# 1መውጽኢ ኣርእስቲ

## ምዕራፍ ሓደ

## ኣበውን ነቢያትን

፩. ኣዳም ኣቦ ኩሉ ፍጥርት
፪. ኣቤል ወደ ኣዳም ዝሸኡሪ ሰማዕታት
፫, ሄኖክ ወዲ ያሬድ
፬. ኖህ ወዲ ላሜህ
፭. ኣብርሃም ወዲ ታራ ርእሲ ኣበው
፮. ይስሓቅ ወዲ ኣብርሃም " "
፯. ያዕቆብ ወዲ ይስሓቅ " "
፰. ካህን መልከጼድቅ ወዲ ሳሌም
፱. ዮሴፍ ወዲ ያዕቆብ
፲. ኣሮን ወዲ እንበረም
፲፩. ሙሴ ወዲ እንበረም
፲፪. ኢያሱ ወደ ነዌ
፲፫. ሳሙኤል ወዲ ህልቃና
፲፬. ነቢይ ናታን
፲፭. ኢዮብ ወዲ ዛራ
፲፮. ነቢይ ኤልያስ ወዲ ዮሳፍጥ
፲፯. ነቢይ ኤልሣዕ ወዲ ዮሳፍጥ
፲፰ ነቢይ ኢሳይያስ ወደ ኣሞጽ
፲፱. ኤርምያስ ወዲ ኬልቅዩ
፳. ነቢይ ህዝቅኤል ወዲ ኖሬ
፳፩. ዳኒኤል ወዲ
፳፪. ሠለስቱ ደቂቅ ኣናንያ ኣዛርያ ሚሳኤል ደቂ ኤልያቄም
፳፫. ነቢይ ዳዊት ወዲ እሴይ
፳፬. ነቢይ ሰሎሞን ወዲ ዳዊት
፳፭. ነቢይ ሆሴዕ ወደ ብኤርም
፳፮. ነቢይ ዩኤል ወዲ ባቱኤል
፳፯. ነቢይ ኣሞጽ ወዲ ቴና
፳፰. ነቢይ ኣብድዩ ወዲ ኣኪላ
፳፱. ነቢይ ዮናስ ወዲ ኣማቴ
፴. ነቢይ ሚክያስ ወዲ ሞራት
፴፩. ነቢይ ናሆም ወዲ ኬልቅዩስ
፴፪. ነቢይ እንባቆም ወዲ ዴኮር
፴፫. ነቢይ ሶፎንያስ ወዲ ኩስ
፴፬. ነቢይ ሃጌ ወዲ ኣግታ
፴፭. ነቢይ ዘካርያስ ወዲ በራክዩ
፴፮. ነቢይ ሚልክያስ ወዲ ፋሄ
፴፯. ነቢይ ዘካርያስ ወዲ ዮዳሄ
፴፰. ደቂ መዛሙርት ነቢይ ኤርምያስ ኣቤሜሌክን ባሮክን
፴፱. ነቢይ ኢዩሄል ወዲ

፩ ሰማእታት

፩.፩ ቅዱስ ዝብል ትርጉም
፩.፪ ቅዱሳን ሰባት
፩.፫ ቅዱሳን ነቢያት
፩.፬ ቅዱሳን ሰማእታት
፩.፭ ቅዱሳን ሊቃውንት
፩.፮ ቅዱሳን ጻድቃን

## ምዕራፍ ፪

፩.፩.፩ ዘመነ ሰማዕታት (ናይ ዘመነ ስደት)
፩.፩.፪ ናይ ሰማዕታት ወይ ሰማዕትነት ትርጉም
፩.፩.፫ ሰማዕታትን ሰማዕትነትን
፩.፩.፬ ሰማዕት ቅዱስ እስጢፋኖስ ሊቀ ዲያቆናት ወቀዳሚ ሰማዕት
፩.፩.፭ ሰማዕት ቅዱስ ጊዮርጊስ ሊቀ ሰማዕት
፩.፩.፮ " " ቂርቆስ ምስለ እሙ ኢየሉጣ (ምስ ኣዲኡ ኢየሉጣ)
፩.፩.፯ " " ኣበ ኖብ (ኣባ ኖብ)
፩.፩.፰ " " ጊጋር
፩.፩.፱ " " ኣቢብ ዘተሰምየ ቡላ (ካልኣይ ስሙ ቡላ)
፩.፩.፲ " " ፊቅጦር
፩.፩.፲፩ " " ገላውዴዎስ
፩.፩.፲፪ " " ቴዎድሮስ
፩.፩.፲፫ " " ኣቦሊ

፩.፩.፲፬ ” ” ፋሲለደስ
፩.፩.፲፭ ” ” ሚናስ
፩.፩.፲፮ ” ” መርቆሬዎስ
፩.፩.፲፯ ” ” ቶማስ ዘመርአስ
፩.፩.፲፰ ” ” ቆጵርያኖስ
፩.፩.፲፱ ” ” ዮሐንስ ወልደ ፀራቢ
፩.፩.፳ ሰማዕታት አርብዓ ሓራ (አርብዓ ወተሃደራት)
፩.፪ ሰማዕታት ዘእንበለ ደም (ብዘይ ምፍሳስ ደም) ሰማዕታት ዝተቐበሉ
ሀ. ሰማዕት ቅዱስ ጎርጎርዮስ ሰማዕት ዘእንበለ ደም (ብዘይ ደም)
ለ. ሰማዕት ቅዱስ በአሚን ሰማዕት ዘእንበለ ደም (ብዘይ ደም)

## ምዕራፍ ፫
### ዘመነ ሊቃውንቲ

፪.፩. ዘመነ ሊቃውንት
፪.፪ ጳጳስ ዝብል ትርጉሙ
፪.፫ ታሪኽ ሊቃውንቲ
፪.፬. ቅዱስ ኣግናጥዮስ ሊቀ ጳጳሳት
፪.፭. ቅዱስ ጴጥሮስ ተፍጻሜ ሰማዕት ሊቀ ጳጳሳት
፪.፮. ቅዱስ እለእስክንድሮስ ሊቀ ጳጳሳት
፪.፯ ” ኣትናቴዎስ ” ”
፪.፰. ” ባስልዮስ ” ”
፪.፱ ” ኤጲፋንዮስ ” ”
፪.፲ ” ጎርጎርዮስ እኀው ባስልዮስ ሊቀጳጳሳት
፪.፲፩ ” ዮሐንስ ኣፈወርቅ ሊቀ ጳጳሳት
፪.፲፪ ” ቄርሎስ ሊቀ ጳጳሳት
፪.፲፫ ” ያዕቆብ ዘስሩግ ሊቀ ጳጳሳት
፪.፲፬ ” ኣባ ሕርያቆስ ሊቀ ጳጳሳት
፪.፲፭ ” ኤፍሬም ሶርያዊ ሊቀ ጳጳሳት
፪.፲፮ ” ኣባ ሰላማ ከሣቴ ብርሃን ጳጳስ ዘሃገረ ኣግዓዚ
፪.፲፯ ዲሜጥሮስ ተካሌ ወይን ሊቀ ጳጳሳት ዘእስክንድርያ

## ምዕራፍ ፬
### ምንኵስና

፫.፩ ምንኵስና ኣብ ቀደም
፫.፪. ምንኵስና ኣብ ዘመነ ሊቃውንቲ
፫.፫ ታሪኽ መነኮሳት
፫.፩.፩ ጻድቅ ኣቡነ እንጦንዮስ ርእሰ መነኮሳት (ርእሲ መነኮሳት)
፫.፩.፪ ” ” ጳውሊ ርእሰ ባሕታውያን (ርእሲ ባሕተውቲ)
፫.፩.፫ ” ” ጳውሊ ዘኣውሰበ ብእሲ
፫.፩.፬ ” ” ጳውሊ ዘተዋሥኦ ለሰይጣን
፫.፩.፭ ” ” መቃርስ (መቃሪ) መቃርዮስ
፫.፩.፮ “ ጳኩሚስ ሠራዒ ማኅበር (ሥርዓተ ማኅበር ዝመሥረተ)
፫.፩.፯ ” ” በብኑዳ
፫.፩.፰ ” ” ኪሮስ
፫.፩.፱ “ ” ወቅሪስ
፫.፩.፲ ” ” ዘሲማስ
፫.፩.፲፩ “ ” መርቂ ነጋዳይ
፫.፩.፲፪ ” ” ኣርሳንዮስ
፫.፩.፲፫ ” ” ሊባኖስ
፫.፩.፲፬ “ ” ኣቡነ ዮሐንስ ሓጺር
፫.፩.፲፭ “ ” ገብረ ክርስቶስ
፫.፩.፲፮ “ ” ኣረጋዊ
፫.፩.፲፯ ” ” ተክለሃይማኖት ዘወገሪቆ ሊባን (ዞባ ማእከል)
፫.፩.፩፰ ” ” ገብረመንፈስቅዱስ
፫.፩.፲፱ ” ” ሳሙኤል ዘዋልድባ (በዓል ዋልድባ)
፫.፲፯ ” ” ሳሙኤል ዘወገግ (በዓል ወገግ)
፫.፩.፳፩ ” ” ሳሙኤል ዘቀልሞን (በዓል ቀልሞን)
፫.፩.፳፪ ” ” ኣንበስ
፫.፩.፳፫ ” ” ዓቢየ እግዚእ
፫.፩.፳፬ ” ” መቃርዮስ ዘይሴሰይ ቆቅሀ
፫.፩.፳፭ ” ” ገሪማ (ይስሓቅ)
፫.፩.፳፮ ” ” እንድርያስ ዘደብረ ጽጌ ሰፍኣ ዞባ ደቡብ

፫.፭.፳፯ ” ” እንድርያስ ዕፉን (ወግረ ስጊን) ዞባ ደቡብ
፫.፭.፳፰ “ ” ኤዎስጣቴዎስ
፫.፭.፳፱ ” ” መርቆሬዎስ ዘደብረ ድማኅ ዞባ ደቡብ
፫.፭.፴ “ ” ኣብሳዲ ዘደብረ ክሣሄ
፫.፭.፴፩ ” ” ኣባ ጊዮርጊስ ዘጋስጫ
፫.፭.፴፪ ” ” ኣባ ጽጌ ብርሃን
፫.፭.፴፫ “ ” ሠረቀ ብርሃን ዘመራጕዝ
፫.፭.፴፬ ” ” ቡሩክ ኣምላክ
፫.፭.፴፭ ” ” ኣብራንዮስ ዘደብረ ጥሉል
፫.፭.፴፮ ” ” ፊልጶስ ዘደብረ ቢዘን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ
፫.፭.፴፯ ” ” ብፁዓ ኣምላክ ዘደብረ ምእዋን ወዘኮዳዱ ዞባ ደቡብ
፫.፭.፴፰ “ ” ሙሴ ዘማይ ጎርዞ ዞባ ደቡብ
፫.፭.፴፱ “ ” ሴት ዓዲ ቂታ ዘደብረ ሓዋርያት ዞባ ደቡብ
፫.፭.፵ “ ” ዕንቁ ብርሃን ዘገዳመ ኣንገብ (ደቂ ሽሐይ)
፫.፭.፵፩ “ ” ሰይፈ ሚካኤል ዘጻዕዳ እምባ ቅድስት ሥላሴ ዞባ ደቡብ
፫.፭.፵፪ “ ” ኣባ ባጥል
፫.፭.፵፫ ” ” ዮናስ ዘደብረ ድጕኃን ወደብረ ጽጌ ” ”
፫.፭.፵፬ ” ” ዮሓንስ መጥምቅ ቴድረር ዞባ ደቡብ
፫.፭.፵፭ “ ” ደብረ ቍስቋም ዘድባርዋ ዞባ ደቡብ
፫.፭.፵፮ “ ማርያም ዓይላ ዞባ ደቡብ

# ምዕራፍ ፭

## ቅዱሳት ኣንስት ሰማዕት ወጻድቃን (ሰማዕታትን ጻድቃንን)

፭.፩ ቅዱሳት ኣንስት
፭.፪ ኣገልግሎት ቅዱሳት ኣንስት
፭.፩.፩ ሰማዕት ቅድስት ክርስቶስ ሰጊድ፡ ኣላጲስ፡ ኣጋጲስ
፭.፩.፪ ሰማዕት ቅድስት ፈበን ምስለ ወልዳ ዳግማይ ጳውሎስ
፭.፩.፫ ሰማዕት ቅድስት መሪና
፭.፩.፬ ሰማዕት ቅድስት ኣውዶክስያ
፭.፩.፭ ሰማዕት ቅድስት ጲላግያ ዘኣንጾኪያ (በዓልቲ ኣንጾኪያ
፭.፩.፮ ሰማዕት ቅድስት ጲላግያ ዘጠርሴስ (በዓልቲ ጠርሴስ)
፭.፩.፯ ሰማዕት ቅድስት ክርስጢና
፭.፩.፰ ሰማዕት ቅድስት ማክሪና
፭.፩.፱ ሰማዕት ቅድስት ኦርኒ ጓል ንጉሥ
፭.፩.፲ ሰማዕት ቅድስት ጐራኒ
፭.፩.፲፩ ሰማዕት ቅድስት ኣንስጣስያ
፭.፩.፲፪ ሰማዕት ቅድስት ጣጡስ
፭.፩.፲፫ ሰማዕት ቅድስት ምህራኤል
፭.፩.፲፬ ሰማዕት ቅድስት ኣንስጣስያ ሮማዊት
፭.፩.፲፭ ሰማዕት ቅድስት ኣውጋንያ
፭.፩.፲፮ ሰማዕት ቅድስት ኣስጠራጡኒቃ
፭.፩.፲፯ ሰማዕት ቅድስት ታውክልያ
፭.፩.፲፰ ደናግል ጤቅላ፡ ማርያ፡ ዓመታ
፭.፩.፲፱ ሰማዕት ቅድስት ሣራ
፭.፩.፳ ሰማዕት ቅድስት ጤቅላ ዘእንበለ ክዕወተደም
፭.፩.፳፩ ሰማዕት ቅድስት ኤፎምያ
፭.፩.፳፪ ሰማዕት ቅድስት ኣፎምያ

## ፭.፪ ጻድቃን ቅዱሳት ኣንስት

፭.፪.፩. ጻድቅት ቅድስት ኢዮጸራቅስያ
፭.፪.፪. ጻድቅት ቅድስት ኣትናስያ
፭.፪.፫. ጻድቅት ቅድስት እምባ መሪና
፭.፪.፬. ጻድቅት ቅድስት ማርያም ግብጻዊት
፭.፪.፭. ጻድቅት ቅድስት ማርታ
፭.፪.፮. ጻድቅት ቅድስት ኢላርያ
፭.፪.፯. ጻድቅት ቅድስት ተነሣሒት ጓል ንጉሥ
፭.፪.፰. ጻድቅት ቅድስት ታኣግንስጣ

## ምዕራፍ ፩

## ሰንጠረዥ ናይ 24ን ነብያትን 120 ቤተሰብ ክርስቶስን ካልኦትን

ሀ. ፷፬ ነቢያት
ለ. ፲፪ ሐዋርያት
ዘይቀበሮም
መ. ፴፮ ቅዱሳት ኣንስት

ሠ. ብሥጋ ክሳብ ሕጂ ዘይሞቱ
ረ. ብሥጋ ሞይቶም ግን ወዲ ሰብ
ሐ. ፫፪ ኣርድእት

ኣዳላዊ መ/ ሄኖክ ገብረሚካኤል
መካነ ሕይወት መድኃኔዓለም
ቤተክርስቲያን

## መቅድም

## ኣሰረ ቅዱሳን

ኣሰረ ቅዱሳን ዝብል ብኽልተ ኣረፍተ ነገር ዝቐመ ኪይኑ
= ኣሰረ፣
= ቀደሰ፣ ፈለየ፣ ኣንጽሀ፣ መረጸ፣ ካብ ዝብል ዝትርጕም ግዕዛዊ ግሲ ዝወጽኡ እዮም። ኣሰረ እግሪ ኣብ መሬት ተሳኢሉ ከም ዝርኢ እሞ ነቲ በዓል ኣሰር እግሪ ዝደለዩ ሰባት ኣሰር ኣሰሩ ብምኽታል ደድሕሪኡ ከይዶም ኣብታ ንሱ ዝበጽሓን ዝኣተዋን ቦታ ከም ዝበጽሑ፣ ኣንበብቲ ናይዛ ኣሰረ ቅዱሳን ተባሂላ ተሰይማ ዘላ መጽሓፍ ድማ ብተመሳሳሊ ናይ ቅዱሳን ኣቦታትን ኣዴታትን ኣሰር እግሪ (ታሪክ ሕይወቶም) ብምስዓብ ናብታ ንሳቶም ዝኣተውዋ ቦታ ሃገር ገኒት መንግሥተ ሰማያት ተኣቲ እያ ብምባል ዝተዋህበ ስም እዩ።
እዛ ኣሰረ ቅዱሳን ብዝሒ ትሕዝቶኣ
ካብ ቅዱሳን ሰማዕታት ብዝሒ 46
ካብ ቅዱሳን መማህራን ሊቃውንት ብዝሒ 14
ካብ ቅዱሳን ጻድቃን ብዝሒ 52 ሒዛ ትርከብ
ካብ ቅዱሳን ኣንስት ሰማዕታት ብዝሒ
ካብ ቅዱሳን ኣንድት ጻድቃን ብዝሒ
ሒዛ ስለ ትርከብ = ብጠቕላላ ናይ 112 ቅዱሳን ታሪኽ ሒዛ ስለ ትርከብ ንሰባኽያነ ወንጌል፣ ንተማህሮ ቅኔ፣ ንመንእሰያት ቤ/ት/ሰንበት ብሐፈሻ ኽኡሉ ስለ ቅዱሳን ኣጽኒዑ ክትግብር ዝደሊ ኣዝያ ሐጋዚት መጽሐፍ እያ። ማለት ዕለታዊ ናይቲ ቅዱስ ታ/ሕይወት ፈሊጥካ ብቕል ኪዳኑ ተማሕጺንካ ንነፍሶኻን ንሰባትን ሕይወት ትረክብ። በዚ ከኣ ናብቲ እቲ ቅዱስ ዝኸደ ኣሰር ሰዒብካ ናቱ ወዲ ማሕበሩ ትኸውን።
ስለዚ ኩላትና እዛ ኣሰር ቅዱሳን ትብል መጽሐፍ እዚኣ ስዓ ኖብና (ተኸቲልና) ንሳቶም ዝኣመንዎ እምነት ኣሚንና ንሳቶም ናብ ዝኣተውዎ ቦታ ጽድቂ ክንኣቱ ቅዱስ መንፈሱ ይልኣኸልና።ብዘይ ኣሰረ ቅዱሳን ነገረ እግዚኣብሔር ምንጋር፣ ብዘይ ቅዱሳን ከኣ ንእግዚኣብሔር ብትክክል ምፍላጥ ኣይከኣልን እዩ። ፍጡር ብዘይ ዝኾነ ተወሳኺ መንገዲ፣ ናይ እግዚኣብሔር ባሕርይ ጥራይ ካብኡ ካብቲ ሓደ እግዚኣብሔር ክፈልጦ ኣይክእልን እዩ። ቅዱስ ጳውሎስ

ከም ዝበሎ “ ንሱ በይኑ ዘይመውት፥ ሓደ ሰብ እኳ ኩቶ ዘይረኣዮ፥ ክርእዮ ውን ዘይክእል ኣብ ዘይቅረብ ብርሃን ዝነብር እዩ። ንዕኡ ንዘለዓለም ክብርን ሥልጣንን ይኹኖ ኣሜን። (1ይጢሞ 6፥16) (መዝ. 16፥11) ስለ እግዚኣብሔር ክዝረብ ዝከኣል ካብ ሥነ-ፍጥረት - ሚሩ ዘሎ ሥርሑ ምምርማር እዩ ሥነ-ፍጥረት ናይ መ- መርታ ናይ ባሕርዩ (ኩሉ ዝክእል ኣምላኽ ምስጉን) መግለጺ እዩ። ድሕሪኡ ከኣ በብእዋኑ ንዝትንሥእ ትውልዲ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ዝግለጽ ኣብ ፈተውቱ እናሓደረ እዩ።

ድሕሪ ፍጥረት ስለ እግዚኣብሔር እንፈልጦ ብምንጽጻር እዩ። እቶም ናይ እግዚኣብሔር ሰባት ዝኾኑ ቅዱሳን ዝገብርዎ ተኣምርን ዝሰርሕዎ ኣደናቒ ስራሕን፥ ዝረኽብዎ ናይ ጥበብ ኃይልን ብምርኣይ እቶም ኣገልገልቱ እኳ ከምዚ ዝኾኑስ እቲ ወሃቢ ዝኾነ ኣምላኽና ድኣ ከመይ ክኸውን እዩ ብምባል ነድንቕ።

እግዚኣብሔር ክቡር፥ ቅድስንኡ፥ ኃይሉ ብፍጥረታት ክፍለጥ እንተ ዘይደሊ ነይሩ ንቅዱስ ክብሪ ኣይሃቦምን። ስለዚ ቅዱሳን ናይ እግዚኣብሔር መግለጺ እዮም። ናይ ቅድስናኣም ምንጪ ንሱ እዩ። ናታቶም ብምርኣይ ስሊኡ ክንምስክር ክንነግር ኃኺእል። ንሱ እንኳ ንዓና ነቶም ጸግኡ ዝዓደሎም ክርእይዎ እንከለዉ ኣብ ማንም ዘይቀርቦ ብርሃን ምንባሩ ጥራይ እዩ ዝገለጸሎም። (1ይጢሞ 6፥16)

ስለዚ ኣሰረ ቅዱሳን ንናይ ነገረ እግዚኣብሔር ትምህርቲ ሓደ ክፋል እዩ። ናይ ህልውና እግዚኣብሔር ምስክር ድኣ እምበር ካብቲ ዝቕድስ፥ ዘክብር፥ ዝመርጽ፥ ዝሸይም ጕይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ናይ ባህርይ ኣቡኡ ኣብ፥ ካብ ናይ ባህርይ ሕይወቱ መንፈስቅዱስ ወጻኢ ናብ መንግሥተ ሰማያት እኸደሉ ካልእ መንገዲ የለን።

ብዘይ ኣሰረ ቅዱሳን ነገረ እግዚኣብሔር ዘፍልጥ፥ ናብ እግዚኣብሔር ዝወስድ መንገዲ የለን። ስለዚ ኣሰረ ቅዱሳን ብኣእምሮ ምርዳእ፥ ምምሃር፥ ምክትታል፥ ምጽናዕ ምፍላጥ ምስ እግዚኣብሔር ምዝራብ ምኳኑ ምፍላጥ ይግባእ።

ብዘይ ኣሰረ ቅዱሳን ነገረ እግዚኣብሔር ምንጋር ኣይከኣልን እዩ ዝተባህለ ነዚ እዩ ስለዚ እዛ ኣሰረ ቅዱሳን ተባሂላ ተሰይማ ዘላ መጽሐፍ ነዚ ኩሉ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ኣፍልጦ ዝሓዘት ብምኳና ኣንበብቲ ኣንቢቦም። ነቲ ናይ ቅዱሳን ታሪኽ ብምርኣይ ክቕደሱ ኣሰረ ቅዱሳን ዘይፈለጡ ሕፃናት ፈሊጦም ከገልግሉ፥ ኣብ ኣገልግሎት ዝርከቡ ዓበይቲ ከኣ ብቓል ኪዳን ናይቶም ቅዱሳን ሰማዕታት፥ ሊቃውንት፥ መነኮሳት፥ ጻድቃን ቅዱሳት ኣንስት ዘንበጠን፥ ዝሰምዐን ብዝበሎ ቃልኪዳን መሠረት ተኻፈልቲ መንግሥተ ሰማያት ክኾኑ ኣሰረ ቅዱሳን ምስዓብ የድልዮም።

## ቅዱስ

### ፩. ፩. ፩ ቅዱስ ዝብል ትርጉሙ

ቅዱስ ዝብል ቃል “ ብዕብራይስጥ ቀዳሲ፥ ብሱርት፥ ቃዲህ፥ ብዓረብን ብግዕዝን ቅዱስ” ይብሃል። ትርጉሙ ክቡር፥ ንጹሕ፥ ፍሉይ ማለት እዩ። ብቐዳምነት ቅድስና ናይ ባሕርዩ ንዝኾነ እግዚኣብሔር የገልግል፥ ናይ ባሕርዩ መግለጺ ዝኾነ መጸውዒኡ ቅዱስ እዩ። ገለ ካብ መጽሐፍ ቅዱስ መሰነይታ ብምግባር ትሕት ኢልና ንመልከት፥-

- ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ እግዚኣብሔር ጕይታ ሠራዊት ኢሳ. 6፥1-3
- ነቲ ቅዱስ ኣምላኽ ድኣ ምስ መን ከተመሳሪርይዎ ኢኹም። ኢሳ. 40፥25
- እግዚኣብሔር ጕይታ ሠራዊት ግና ጽድቂ ብምግባር ዕቤቱ የርኢ። ንሕዝቡ ብምፍራድ ከኣ ቅድስናኡ ይገልጽ። (ኢሳ. 5፥16)
- ለይትን መዓልትን ከየቋረጹ ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ ኩሉ ዝክእል እግዚኣብሔር ኣምላኽ ዝነበረን ዘሎን ዝመጽእን ይብሉ። ራዕ. 4፥8
- ዓው ብዝበለ ድምጺ ከኣ ኦ ቅዱስን ሓቀኛን ዝኾንካ ጕይታ ክሳዕ መዓስ ኢኻ ዘይትፈርድ (ራዕ. 6፥10)
- እቲ ኩሉ ዝክእል ዓበይቲ ነገራት ገይሩለይ እዩ እሞ ስሙ ቅዱስ እዩ። ሉቃ 1፥49

- ኣብ ቅዱስ ስሙ ስለዝተኣመና ብእኡ ንሕጐስ ኣሎና። (መዝ. 33፥21)።
- ኣነ ንእግዚኣብሔር ኾሉ ግዜ ከመስግኖ እየ። ኾሉ ፍጡር ከኣ ንቅዱስ ስሙ ንዘለዓለም ዓለም የመስግን። (መዝ. 145፥21)

## ቅዱሳን ሰባት
## ፩. ፩. ፪ ቅዱሳን ሰባት

ብባሕርዩ ቅዱስ ዝኾነ እግዚኣብሔር ብረድኤት ዝሓደሮም፡ ብጸጋ ዝተወሃህዶም ናይ ሃይማኖት ሰባት ቅዱሳን ይበሃሉ። እዚ ከኣ ሃይማኖት ንምትሓዝ፡ ሠናይ ተግባራት ንምስራሕ፡ ናይ ሥጋ ድሌታቶም ናብ ናይ ነፍሲ ድሌት ብምግዛእ፡ ካብ ክሕደት፡ ካብ ጥርጥር፡ ካብ ክፍኣት ብምፍላዮም ቅዱሳን ይበሃሉ።
ብሃይማኖት ተኸተሉኒ ኢሉ ንዝጸውዮም እግዚኣብሔር ፍሉይ ከምዝኾነ እነሆ ንሳቶም ውን ነፍሶም ካብ ዓለም ተፈልዮም ብገድሊ፡ ብጾም፡ ጸሎት . . . በቲ “ ኣነ ቅዱስ እየ'ሞ ንስካትኩም'ውን ቅዱሳን ኩኑ” ብምባል ቃል ብቓል ይናገር። (ዘሌ. ፲፱፥፪) ነዚ እዩ ከኣ ሓዋርያ ቅዱስ ጴጥሮስ “ ስለዚ ሓጇቕኑ ልብኩም ተዓጠቕ፡ ከምኡ'ውን ተጠንቐቁ፡ ተስፋኹም ከኣ ብምሉእ ኣብቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ተገልጸ እትረክብዎ ጸጋ ይኹን ከም እዙዛት ውሉድ እምበር ከምቲ ቀደም ደናቁር እንከለኹም እትገብርዎ ዝነበርኩም ክፉእ ኣይትመነዩ፡ ኣነ ቅዱስ እየ'ሞ ቅዱሳን ኩኑ ዝብል ጽሑፍ ስለ ዘሎ ከምቲ እቲ ዝጸውዓኩም ቅዱስ ዝኾነ ንሰካትኩም'ውን ብኹሉ ንብረትኩም ቅዱሳን ኩኑ (1ይጴጥ. 4፥13-16)

ቅዱሳን ሰባት ንዝተፈላለየ ተግባር ግን ከኣ ንሓደ ዕላማ ብእግዚኣብሔር ዝተጸውዑ እዮም። ምጽዋዕ ጥራይ ዘይኮነ ካብቶም ዝተጸውዑ እውን ዝተመርጹ እዮም። “ ብዙኃን ጽውዓን ወነዳጣን ጎሩያን” ዝተጸውዑ ብዙሓት ዝተሓርዩ ወይ ዝተመርጹ ግን ውሑዳት እዮም። (ማቴ. ፳፪፥፲፬) ስለዝኾነ ካብ ብዙሓት ፈልዩ ዝሓረዮም ቅዱሳን ምስቶም ብዙሓት ዘይቅዱሳት ሰባት ብሓደ ዘይኮነስ፡ ብፍልይ ዝበለ ኣጸዋውዓ ቅዱሳን ተባሂሎም ይጽውዑ። ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ነዚ ብኽምዚ ዝስዕብ ይገልጾ። “ እምበኣርከስ ንሸኻትኩም ሰብነት ክርስቶስ ኢኹም፡ ነፍስ ወከፍኩም ከኣ ኣካላቱ ኢኹም። ኣምላኽ ከኣ ኣብታ ቤተክርስቲያን ብመ- መርታ ነቢያት፡ ካልኣይ ሓዋርያት፡ ሳልሳይ መምህራን፡ ደሓር ተኣምራት ዝገብሩ፡ ናይ ምፍዋስ ውህበት ዘለዎም፡ ዝሕግዙ፡ ዘመሃድሩ፡ በብዓይነቱ ቋንቋ ዚዛረቡ ሠርዐ (1ይቆሮ. 12፥27) ብምኻኑ እግዚኣብሔር ናይ ወዱ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ መልክዕ ሒዞም ፈልዩ ዝጸውዖም፡ ዝመረጾም፡ ዘጽድቆም፡ ዘኽበሮም፡ ነቢያት፡ ሓዋርያት ጻድቃን ሰማዕታት ነገሥታት፡ ካህናት ኣበው፡ ኣርድእት፡ ጳጳሳት፡ ሊቃውንት፡ ደናግል፡ ምእመናን ቅዱሳን እዮም።

## ቅዱሳን ነቢያት
## ቅዱሳን ነቢያት

ካብ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ሃብተ ትንቢት ተዋሂቦም ንመጻኢ ዝፍጸም ፍጻሜታት ኩሉ ብርጉጽነት ዝናገሩ እዮም። “ እግዚኣብሔር ከምዚ ይብል እናበሉ ይንበዩ። (1ይሳሙ. 9፥6, ኣሞጽ 1፥3, ሚክ. 3፥8) እቲ ዝግለጸሎም ብራዕይ፡ ብሕልሚ እዩ። (ዘኍ. 12፥6, ዳን 10፥11) ኣብ ርእሲ እቲ ዝንበይዎ ትንቢት፡ ንሕዝቢ ይመኽርዎ ይምዕድዎ፡ ይግስጽዎ ነበሩ። ንሕዝቡ ከገልግሉ ከኣ እግዚኣብሔር ካብ ማኅጸን ኣዴታቶም ኣትሒዙ መረጾም (ኤር. 1፥4-10)
ነዚ ኣመልኪቱ ሓዋርያ ቅዱስ ጴጥሮስ “ ከመይ ትንቢት ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሑም፡ ካብ ኣምላኽ ዝተዛረብዎ እምበር ከቶ ብፍቓድ ሰብ መጺኡ ኣይፈልጥን” (1ይጴጥ. 1፥21) “ነቢይ ብስም ነቢይ ዝቕበል ዓስቢ ነቢይ ይረክብ። እቲ ንጻድቕ ብስም ጻድቕ ዝቕበል ዓስቢ ጻድቕ ይቕበል። (ማቴ. 10፥41) ብነቢያት ንዝተነግረ ቃል ትንቢት ከምዝተፈጸመ ንዓለም ክምህሩ ጐይታ ባዕሉ “ ንዑ ተኣተልኒ ኢሉ ዝጸውዮምን ዝመረጾምን እዮም። “ንዓካትኹም ምሥጢር መንግሥተ ሰማያት ክትፈልጡ ተዋሂብኩም ኣሎ ኢልዎም (ማቴ 13፥10) ኣጋንንቲ ከውጽኡ፡ ሕሙማት

ክፍውሱ፣ ሥልጣን ሃቦም (ማቴ 10፥1) ምስኡ ንቅዱስ ጴጥሮስ ምኽንያት ብምግባር ናይ መንግሥተ ሰማያት መፍትሕ ድሕሪ ምርካቡ “ ኣብ ምድሪ ዝኣሰርኩሞ ኣብ ሰማይ እሱር፣ ኣብ ምድሪ ዝፈታሕኩሞ፣ ኣብ ሰማያት ፍቱሕ ብምባል ክሳብ ኣብ ሰማይ ዝኣስርን ዝፈትሕን ሥልጣን ሃቦም። (ማቴ 16፥19, 18፥18, ዮሓ. 20፥23, 21፥15)።

እነሆ ኣነ ክሳብ መፈጸምታ ዓለም ኩሉ ግዜ ምሳኻትኩም እየ ዝብል ተስፋ ኣጨበጦም (ማቴ 28፥20, ማር. 16፥15)

## ቅዱሳን ሰማዕታት

ቅዱሳን ሰማዕታት ዝበሃሉ “ ንእግዚኣብሔር ከሓዱ፣ ናብ ጣያት ስገዱ፣ ምስ ዝበሃሉ ንእግዚኣብሔር ኣይንኽሕድን ንጣያት ኣይንሰግድን” ብምባል ኣብ ቅድሚ ከሓድቲ ነገሥታት ቀሪቦም ከይሓፈሩን ከይፈርሑን ስለ ኣምላክነት ፈጣሪኦም ዝመስከሩ እዮም። በዚ ምኽንያት እዚ ተዘርዚሩ ክውዳእ ዘይኽእል ዓይነት መከራታት ተቐቢሎም፣ ደሞም ኣፍሲሶም፣ ኣጽሞም ከስኪሶም ሕይወቶም ዝወፈዩ ቅዱሳን ሰማዕታት ይበሃሉ። “ ኣንስቲ ምውታተን ካብ ሞት ተንሢኦም፣ ከምብሓድሽ ተቐበላኦም፣ ካልኦት ግና ዝበለጸ ትንሣኤ ምእንቲ ክረኽቡ ምሕረት ኣይንደልን ኢሎም ተሣቐዮም ሞቱ፣ ገሊኣቶም ድማ ብላግጽን፣ ብመግረፍትን ኣብ ቅዱሳን ሰማዕታት ልዕሊ እዚ'ውን ብሞቕሓን ብማእሰርትን ተሳቐዩ። ብዳርባ እምኒ ተቐትሉ፣ ብመጋዝ ተቈርጹ፣ ተሰይፎም ሞቱ፣ ኣጕዛ ኣባጊዕን ዲኖ ኣጣልን ተኸዲኖም ዞሩ፣ ሰኣኑ፣ ጸበቦም፣ ሓሳረ መከራ ጸገቡ ዓለም ንዕኣቶም ዘይትበቕዕ ስለዝኾነት ኣብ ምድረ በዳን ኣብ እምባታትን ኣብ በዓትታትን ኣብ ጕዳጉዲ ምድርን ኮለል በሉ። (ዕብ. 11፥35-38) “ ከም ጽሉል ድኣ እየ ዝዛረብ ዘለኹ እምበር ኣነ እበልጾም፣ ሕልፊኦም ዝጸዓርኩ፣ ብዙሕ ግዜ ዝተኣሰርኩ፣ ዝተገረፍኩ፣ ብዙሕ ግዜ ኣብ ኣፍ ሞት ዝበጻሕኩ እየ። ኃሙሽተ ግዜ ነርብዓ ጭጉራፍ ሓደ ጕደል ብኣይሁድ ተገረፍኩ፣ ሠለስተ ሳዕ እታ ዝነበርክዋ መንበር ተሰብረትኒ፣ ሓደ ለይትን ሓደ መዓልትን ኣብ ባሕሪ ገበርኩ፣ ብዙሕ ግዜ መንገደዐ ኮይነ ነበርኩ፣ ብውሕጅን ብኸተርተን ከኣ ተጨነቕኩ፣ ብኣይሁድን ብኣሕዛብን ተጨነቕኩ፣ ኣብ ከተማን ኣብ በረኻን ኣብ ባሕርን ተጨነቕኩ፣ ብዕዮ ብጻዕሪ ድቃስ ለይቲ ብምስኣን፣ ብጥሜት ብጽምኢ ብስእነት መግቢ፣ ኣብ ጥራይ ዝባነይ ቁሪ ብምቕባል ነበርኩ። (2ይቆሮ. 11፥23-28)

## ቅዱስ ሊቃውንቲት

ቅዱሳን ሊቃውንት ንቅዱሳት መጻሕፍቲ ካብ ኣምላኽ ብዝተዋህቦም ናይ መንፈስ ቅዱስ ገላጽነት ብምትርጓም ልቢ ምእመናን ኣብ ሃይማኖት ዘጽንዑ እዮም። ከምኡ ውን መናፍቓን ዝተሰሓሓተ ትምህርቲ ሒዞም ክትንሥኡ እንከለዉ መጽሐፍ ዓሊቦም ኃይለ ቃል ሓሲቦም ተኸራኪሮም ዝረትዑ ቅዱሳን ሊቃውንቲ ይበሃሉ። ሃይማኖት ከይጠፍእ፣ ትምህርቲ ከይፋለስ ለይትን መዓልትን ብምስትምሃር ብዙሓት ደቀ መዛሙርት ምሂሮም ዘፍረዩ፣ ብዙሓት መጻሕፍቲ ዝጸኣፉ እዮም።

ነዚ ኩሉ ከበርክቱ እንከለዉ ከኣ ኮፍ ኢሎም ጥዒምዎም ዘይኮነስ ከምቲ ናይ ሰማዕታት ዝተፈላለዩ መከራታት እናተቐበሉ እዮም። ማለት ከም ማእሰርቲ፣ መግረፍቲ፣ ብሓዊ ምንዳድ፣ ብሴፍ ምስያፍ ነዚ ኩሉ ሰጊሮም እዮም።

ንኣብነት፡- ቅዱስ ባስልዮስ ዘቂሳርያ፣ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ፣ ቅዱስ ቄርሎስ . . ዝኣመሰሉ እዮም።

## ቅዱሳን ጻድቃን

ቅዱሳን ጻድቃን ዝበሃሉ ምሉእ ዕድሚኦም ካብ ጣዕሚ ዓለምን ካብ ፍትወቱን ተፈልዮም፣ ቤት ክንሰርሕ፣ ዘርኢ ክንዘርእ፣ ከይበሉ ፍቕድ ሥግኦም ንፍቕድ ነፍሶም ኣግዚኦም ብጾም፣ ጸሎት፣ ብስግደት፣ ብምናኔ ጸኒዖም ዝነብሩ እዮም።

ኣነባብርኦም፡- ድምጺ ኣራዊት፣ ጸብኣ ኣጋንንት፣ ግርማ ሌሊት፣ ዋዕየ ፀሐይ . . . ከይፈርሑ በረኻ ጥሒሶም፣ እምኒ ተተርኢሶም፣ ዛዕዛዕታ ልሒሶም፣ እዮም። ስለ ቅዱሳን ጻድቃን፣ ሓዋርያ ቅዱስ ዮሓንስ ኣብ መልእኽቱ “ ደቀየ

ሓደ እኳ ኣየስሕቸኩም፣ ከምቲ ክርስቶስ ጻድቕ ዝኾነ እቲ ጽድቂ ዝገብር ከኣ ጻድቕ እዩ።” (1ዮሓ. 3፥7)
እቲ ንሳኻትኩም ዝቕበል ንዓይ ይቕበል፣ እቲ ንዓይ ዝቕበል ድማ ነቲ ዝለኣኸኒ ይቕበሎ . . . እቲ ንጻድቕ ብስም ጻድቕ ዝቕበል ዓስቢ ጻድቕ ይረክብ” (ማቴ 10፥41)

✠ ✠ ✠

# ምዕራፍ ፩

## ኣዳም ርእሰ ኣበው - ኣቦ ኩሉ ፍጥረት

ኣዳም ማለት እዚ ተሪፍዎ ዘይብሃል ጽቡቕ መልክዕ ማለት እዩ። ጐይታ ንኣዳም ካብ 4 ባህርያተ ሥጋን 3 ባህርያተ ነፍስን ኣኽቢሩ ፈጢሩ ኣብ ገነት ኣቕመጦ። ኣዳም ኣብ ቀዳማይ ሱባኤ ዓርቢ ሰዓት 3።00 ሚያዝያ ዕለት 4 ኣብ ታሕታይ እስያ ኤልዳ ዝተባህለ ቦታ ካብ ሕቱም ምድሪ ፈጢሩ ኣብ 40 መዓልቱ ናይ ብርሃን ክዳን ኣልቢሱ ናብ ገነት ኣእተዎ።
ኣዳም ን7 ዓመትን 40 መዓልትን ኣይትብላዕ ዝበሎ ዕጸ በለስ ትእዛዝ ሓልዩን ኣኽቢሩን ጸንሐ ኩፋ 4።16። ኣዳም ናይታ ዝጐደለት ነገድ መተካእታ መበል 100 ኮይኑ ምስ መላእኽቲ ተቈጽረ። ድሕሪ ምፍጣር ኣዳም ንሔዋን ካብ ጐድኒ ኣዳም ሓንቲ መሰንገለ ወሲዱ ፈጠራ። ኣዳም ከኣ “እዛ ዓጽሚ ካብ ዓጽመይ። ሥጋውን ካብ ሥጋይ እያ” ብምባል ተሓጉሱ ተቐበላ። ኣዳም ድሕሪ 7 ዓመትን 40 መዓልትን ካብታ ኣይትብላዕ ተባሂላ ዝተኣዘዘት ዕፀ በለስ በልዐ እሞ ካብ ገነት ብኢድ ሱራፍኤል ተሰጉ ዘፍ 3።6። ኣብ መንጽር ገነት ደብር ቅዱስ ዝተባህለ ቦታ ኣቕመጦ። ስለምንታይ ንዝብል ጣዕሳ መታን ክስምዩ፣ ነታ ዝነበራ ቦታ እናረኣየ ናብኣ ዶኾን ይመልሰኒ ኢሉ ብተስፋ ክጽሊ ኢሉ እዩ።
ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ “እግዚኣብሔር ዝኣክል ጐይታ። ገነት ዝመስል ቦታ። ንሔዋን ብኣኪ ምኽንያት እኮ እየ ስኢነዮ ዘለኹ” ኢሉ ተቈጥዓ። ንሳ ሰንቢዳ ሃዲማ ከደት። መልኣኽ እግዚኣብሔር “መጺኡ ተዓረቕ” በሎ። ኣዳም “እግዚኣብሔር ዝኣክል ጐይታ። ገነት ዝመስል ቦታ ስኢነዮ ዘለኹ ብኣኣ’ዶ ኣይኮነን። ኣይዕረቕን እየ” በሎ። ድሕሪ እዚ መላእኽቲ ናይ ጸሎት ግዜ ምሂሮሞ ስለዝነበሩ ግዜ ቈጺሩ ክጽሊ ከሎ። መልኣኽ መጺኡ “ኣዳም እንታይ ክኾነካ እዩ። ናይ ቂመኛ ጸሎት እኮ እግዚኣብሔር ኣይቅበሎን እዩ” በሎ። ሽዑ ኣዳም ነቲ መልኣኽ “በል ኬድካ ኣምጽኣለይ” በሎ። እቲ መልኣኽ “እሞ ከምቲ ባዕልኻ ዘባረርካያ ኬድካ ኣምጽኣያ እምበር። ኣነ ደኣ እንታይ በሃላይ” በሎ። ሽዑ ኣዳም ባዕሉ ከይዱ ኣምጽኣ። ንሳ ድማ ኣብ እግሩ ወዲቓ “መሓረኒ ይቕረ በለለይ” በለቶ። እቲ መልኣኽ “ካባኻ ኣይተፍለያ” ኢልዎ ከደ። ነዚ ኣብነት ብምግባር ሎሚ ደቂ ተባዕትዮ ከይዶም ይልምኑን ይሓቱን እምበር። ደቂ ኣንስትዮ ኣይልምና። ኣይሓታ።
ድሕሪ እዚ ሔዋን “እግዚኣብሔር ከምቲ በዲልናዮ ዝተጸልኣና”ዶ ክተርፍ እዩ።” በለቶ። ኣድም “ኣይ ንሱስ መሓሪ እዩ። ግና ንስኺ ከለኺ እሞ እንታይ ክኸውን” በላ። “ኣነስ ድሕሪ ደጊም ካብ ፍቓድካ ፈጺመ ኣይወጽእን እየ” በለቶ። በዚ ንኣርብዓ (40) መዓልቲ ተሰማሚያም። ንሱ ኣብ ሓደ ቀላይ። ንሳ ኣብ ሓደ ቀላይ ጥቓ ጥቓ ኮይኖም ሱባኤ ኣተዉ። 40 መዓልቲ ከይኣኽለ ከሎ ኣብ መበለ 35 መዓልቲ ምስ ገበሩ በዚ ዝቕንኣ ሰይጣን “ከምዚ እንተኾይኑ እሞ ምስ ፈጣሪኡም ክዕረቕ ዶ ኣይኮነን” ኢሉ ናብ ኣዳም ከይዱ “ኣዳም ፈጣሪ ተዓሪቕካ እዩ እሞ ውጻእ” በሎ። ኣዳም “ንስኻ መን ኢኻ” በሎ። “ኣነ መልኣከ ብርሃን ገብርኤል እየ” በሎ። “በል ደሓን ዝለኣኽኒ እነግር ኣሎኹ” ኢሉ ካብኡ ሓሊፉ ናብ ሔዋን ከደ። “ሔዋን በዓል ቤትኪ ዝብሎ ዘሎ ፍለጢ። ቀደም ፈጣሪኡ ኣይትብላዕ ዝበሎ ዕፀ በለስ በሊዑ። ሕጂ ድማ ውጻእ ምሒረካ እየ እንተበሎ ኣይወጽእን ይብል ኣሎ። ኣነ ካብዚ ንንየው ውሩድ ካብ ርእሰይ” በላ። ሔዋን ናይ ብሓቂ መሲልዋ መሰስ ኢላ ወጺኣ። “እንኳ”ዶ ብኽምዚ መዓልቲ ብሓደ መዓልቲ ይቕረ ክብለልና’ዶ ኣይኽእልን እዩ። ውጹ ክንበሃል ከለናስ ስለምንታይ ዘይንወጽእ” በለቶ።
ኣዳም “ኣንቲ ቅድሚ ሎሚ ናይ ፍጡር ቃል ሰሚዐ ተጐዲኣ ኣሎኺ። ሎሚ ከኣ ናይ ፍጡር ቃል ሰሚዐ ኣይወጽእን እየ” በላ። ሔዋን “በል ኣነስ ከይደ ወጺኣ ኣሎኹ ኢላ” ወጺኣ ከደት። ቅድም መልኣኽ ኣይትፈለያ ኢልዎ ስለ ዝነበረ ኣዳም ወጺኡ ሰዓባ። ንሳ ንዲያብሎስ (ንጋድርኤል)። ንሱ ንሔዋን ብምኽታል ኣብ እግሪ ገነት ምስ በጽሑ። እቲ ዲያብሎስ “ኣነ መን እየ።”

በሎም፡ ንሳቶም ከኣ “መልኣከ ብርሃን ቅዱስ ገብርኤል መልኣኽ ኢልካና ኔርካ” በልዎ፡ ንሱ “ኣነ መልኣከ ብርሃን ኣይኮንኩን፡ ናይ ጥንቲ ጸላኢኹም እየ” ኢሉ ጸልማት ገጹ ኣርኣዮም፡ በዚ ሰንቢዶም ወደቑ፡ ኣብቲ ዝወደቕዎ 3 መዓልቲ ገበሩ፡ ቅዱስ ገብርኤል መልኣኽ መጺኡ ኣልዒሉ ወሲዱ ኣብ ደብረ ቅዱስ ኣቑመጦም፡

ኣዳም ኑቲ መልኣኽ “ናይ መግብናኽ ክመይ ንኹን፧” በሎ፡ ከይዱ ኣብ ገነት ንዘለዉ ኣዕዋፍ “ጎይታ ገነት ዝኾነ ኣዳም ጠምዩ ኣሎ፡ ዳሕራይ መዓልቲ ምስ ፈጣሪኡ ምትዕራቕ ኣይተርፎን እሞ እሞ። ደቂ ንደቅኹም መታን ከይጸልእዎም ሕጂ ምግቡ ውሰዱሉ” በሎም፡ እቶም ኣዕዋፍ ሓደ ሓደ ዘለላ ብኣፎምን ብእግሮምን ተሰኪሞም ወሲዶም ዓሰርተው ክልተ በዓቲ መልእሉ፡ ስፍሓት እቲ በዓቲ መጠነ ፱ ምንዳፈ ሐፀ ይብሎ፡

ድሕሪዚ ኣብ ገነት ከሎ ንቋንቋኡም ዝለመድዎ <u>ኣብርል</u>። <u>ኣዝርል</u> ዝብሃሉ ጥዑም ድምጺ ዘለዎም ኣዕዋፍ ነበሩ፡ ንኺድ ክብሉ ሰሚዐ ካብቲ ዘምጽእሉ ፍረ ስንቂ ሒዙ። ንሳቶም ብኽንፊ ንሱ ብእግሪ እናጎየየ ተኽታቲሎም ኣብ እግሪ ገነት በጽሑ፡ ናይ ገነት ቀጽሪ ብሓዊ ዝተኸበበ እዩ፡ ንሳቶም ብላዕሊ ነፊሮም ኣተዉ፡ ኣዳም ግና መእተዊ ስኢኑ ደው በለ፡

ሰይጣን “እንታይ እዩ እዚ ዘቕበዝብዞ ዘሎ፧ ነዚ ከይቀተልኩ ኣይዓርፍን እየ” ኢሉ እምኒ ኣልዒሉ ኣገዳኡ ሰበሮ፡ ደሙ ከኣ ኣብቲ እምኒ ዓቈረ፡ እታ እምኒ ኣብ ርእሲ ኣዳም ከም ድንኳን ኮይና ንኣዳም ኣድሓነቶ፡ “<u>ወተደብተረት ይእቲ ዕብን ላዕለ ርእሰ ኣዳም</u>” ይብል፡

ኣብ ውሽጢ እታ ከም ድንኳን ዝኾነት እምኒ ንሰለስተ መዓልቲ ጸንሐ፡ ኣብ መበል ሳልሳይ መዓልቲ መልኣኽ መጺኡ ኣልዓለሉ፡ ኣዳም ካብቲ ዘምጽኦ ፍረ ገነት ምስቲ ዝፈሰሰ ደሙ ሓዊሱ መስዋእቲ ኣቅረበ፡ በዚ ጎይታ ተገልጸሉ እሞ “በል ነዚ ተቐቢለልካ ኣሎኹ፡ ካብ ሕጂ ንደሓር ዓለም ዝድሕን ብናይ ወደይ መስዋዕትነት እዩ እምበር ብናትካ መስዋእትነት ኣይኮነን” ኢሉ። “<u>በሓሙሰ ዕለት ወበመንፈቃ ለዕለት እትወለድ እምወለተ ወለትከ ወእድህከ ውስተ መርጎብከ ወእከውን ሕፃነ በእንቲኣከ</u>”፡

“ድሕሪ 5,500 ካብ ጓል ጓልካ ተወሊደ ከድሕነካ እየ” ዝብል ተስፋ ነጊርዎ ስለዝነበረ (ቀሌሜንጦስ) ብተስፋ እናተጸበየ ጸንሐ፡ ኣዳምን ሔዋንን ኣብ 30 ርክቦም 60 ውላድ ወለዱ፡ ማለት 30 ኣዋልድ 30 ኣወዳት፡ ኣዳም ካብ ዝፍጠር ኣብ መበል 930 ዕድሚኡ ዕለተ ዓርቢ ሰዓት 9።00 በታ ዝተፈጥረላን ካብ ገነት ዝወጸላን መሊሱ እውን ናብ ገነት ዝምለሰላን ዕለት ኣዕረፈ፡

ኣዳም ክመውት ከሎ ከም ነቢይ መጠን ማየ ኣይጎ ከም ዝመጽእ ንደቁ ሓደራ በሎም፡ ከምኡ’ውን እቲ ኣቐዲሙ ብመልኣኽ ንሔዋን ብናይ ሕጸ ምልክት ገይሩ ዝሃቦ ዕጣንን ወርቅን ከርበን ብኽብሪ ሒዞም ከቐምጥዎ። ንምኽንያት ሰብኣ ሰገል ንኡይታ ክብህዎ ምኳኖም ስለ ዝፈለጠ እዩ፡ ደሓር ኣቦና ኣዳም ኖኅ በቲ ዕጣን እቲ ገይሩ ኣዳም ብምዕጣኑ ካብ ማየ ኣይጎ ደሓነ፡

ሰላም ዕብል ለዘተፈጥረ ቀዲሙ፡ በጹሐ ኣምጣን በኣቅሙ፡ ለዝ ሰናይ ወኣዳም በከመ ስሙ፡ ጎረዮ ኣምላክ ወኣፍቀረ ነሚእ ሥጋህ ወደሙ፡ ወሰላም ለሔዋን፡

ምንጭ = ገድለ ኣዳም። ዜና ኣዳም
= ስንክሳር ሚያዝያ 6
= ኩፋ 5።6 ዘፍ 2።7 ሄኖ 19።17-19

መቃብያን

## <u>ኣቤል ጻድቕ</u>

ኣቤል ማለት ይዋህ (ለዋህ) ሓላዊ ኣባጊዕ ማለት እዩ፡ ኣቤል መጋቢት 29 ተወሊዱ፡ ብ4ይ ሱባኤ ተወልደ፡ ምስኡ ማንታ ኮይና ዝተወልደት ማንታ <u>ሉድ</u> ትበሃል፡ ዓቢ ሓዉ ቃኤል ብቕንኣት ዝኣክል ነታ ምስኡ ዝተወልደት ማንትኡ ሉድ ንኣቤል። ነታ ናይ ኣቤል ማንታ <u>ኣቅሌማ</u> ከኣ ንቃኤል ኣቦኡም ኣዳም ኣማሓደሮም፡ ቃኤል ግን ስለዘይተሓጎሰ። ኣዳም ክልቴኹም ናብ ኣምላኽ ከካብ ተግባር ኢድኩም እሞ መስዋእቲ ኣቕርቡ። እቲ ዝተቐበለሉ ንሉድ ይወስዳ በሎም፡

ቃኤል ሓረስታይ ብምኳኑ ካብቲ ዘፈረዮ ስርናይ ከይኣረየ ማለት እግዜኣብሔር ኣይበልዕን እዩ ብምባል ብትዕቢት ክርዳድ ዝበዝሖ እንተሰወኣ ጸሊም ኳኽ መጽኡ በቲኑ ወድኡ፡

ኣቤል ንሳ ኣባጊዕ ብምኻኑ እግዚኣብሔር ንጹሕ ልብን ንጹሕ መስዋእትን እዩ ዝፈቱ ኢሉ ካብተን ኣባጊዕ ዝጸበቖ መሪጹ ሰወአ። እሞ ካብ ሰማይ ሓዊ ወሪዱ በልዓሉ፡
ንቓኤል ናይ ቅንኣት ጋድርኤል ዝተበህለ ሰይጣን ሓዲርዎ። ክልቲኦም ኣሕዋት ማይ ክሰትዩ ጥር ዕለት 2 ኣብ መበል 40 ዕድሚኡ ብእምኒ ወቒዑ ቀተሎ፡ ደሙ ከኣ ክሳብ ሰማይ ብምጭዳር መስከረ፡ ኣቤል ጥር ዕለት 2 ዓረፈ፡ ስንክሳር 2 ጥሪ ተመልከት፡
ቃኤል ግን ነቲ “ሓጢኣት ትስዕበካ ኣላ እሞ መንገዲ ኣይትሃባ” ተባሂሉ ዝተነግሮ ምኽሪ ክሰምዕ ብዘይምኽኣሉ ብዝፈጸሞ ቅትለት ሓዉ “ርጉም ኩን” ተባሂሉ ተረግመ፡ ሕልንኡ ስለዘሳቐዮ ከኣ ካብ ገጽ እግዚኣብሔር ክሃድም ኢሉ ኣርሒቑ ሃውተተ፡
ሰንባዲ ኮይኑ ከኣ <u>ኖድ</u> ኣብ ዝተባህለ ቦታ ስደተኛ ኮይኑ ተቐመጠ፡
በረኸት ጻድቕ ኣቤል ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስትያን ይኹን፡
ምንጭ = ዘፍ 4።5-16። ኩፋ 5። ሄኖክ 19።17። ዜና ኣቤል ስንክሳር ዕለት 2 ጥር

- ሰላም ለኣቤል ዘወኩፍ ምስዋዑ
- እስመ ልዑል ኣቕርበ በኩረ እምበግዑ
- ወበእንዝ ተጽሕፈ ብጎበ ሃዋርያት መጽሓፈ ሰምዑ
- ወበኣምሳሊሁ ኣበው ሠርዑ
- በኩረ እንስሳ ወሰብእ ለኣምላክ ያብኡ

## <u>ሄኖክ ነቢይ</u>

ሄኖክ ማለት ስዉር ክኸውን እንከሎ። ኣቡኡ <u>ያሬድ</u> ኣዲኡ <u>ባረካ</u> ይበሃሉ፡ ሓምሌ ዕለት 25 ተወልደ፡ ሰበይቲ ኣእትዩ 165 ዓመት ምስ ገበረ ንማቱሳላ ወለዶ፡ ኣካይዳኡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ጽቡቕ ነበረ፡ ኣወዳትን ኣዋልድን ወለደ፡ ኣብዚ ዓለም ዝነበሮ ዕድመ 365 ዓመት ኮይኑ። ጥር ዕለት 27 ተሰወረ፡ ንመጻኢ ተመሊሱ ኣብ ዘመነ ሓሳዊ መሲሕ ብሰማዕትነት ከም ዝሓልፍ ቅዱሳን መጽሕፍቲ ይነግሩ፡ ማትሶላ ወዱ ግን መጋቢት ዕለት 21 ኣብ መበል 999 ዕድሚኡ ኣዕረፈ፡
ሄኖክ ንማቱሳላ ካብ ዕድና ምስ ወለደ ብድሕሪኡ 300 ዓመት ከም ፍቓድ ኣምላኽ ይነብር ነበረ፡ ዘፍ 5።22-24። ይሁ 1።14። ዕብ 11።5
ነቢይ ሄኖክ ንመጀመርታ ግዜ ካብ ደቂ ኣዳም ፊደል ዝጸሓፈ። ከምኡ'ውን 42 ምዕራፋት ዝሓዘ መጽሓፍ ካብ ፍጥረት ዓለም ኣትሒዙ ክሳብ ምጽኣት ዘሎ ኩነታት ጸሓፈ፡ ዝያዳ ከኣ ብዛዕባ ናይ ብርሃናት ዑደትን። ቁጽሪ ዘመናትን ከምኡ'ውን ስለ ጎይታ ምምጻእ። ስለ ሓዋርያት። ስለጻድቃንን ሓጥኣንን ጸሓፈ፡
ጸሎትን በረኸትን ናይ ነቢይ ሄኖክ ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስትያን ይኹን። ኣሜን፡

- ሰላም ለኄኖክ እንተተመሥጠ በዓውሎ፡
- በኣጽናፈ ሰማይ ይረኣይ ሙላደ ብርሃናት ኩሎ፡
- እስከ ዕለተ ሣህል ይከውን ወእስከ መዋዕል ዘተበቅሎ፡
- ጎበ ሞት ኢይበጽሖ ወጎበ ኃዘን ኢይክሎ፡
- በጥበበ ኣምላክ ክቡተ ወሥዉረ ሀሎ፡

ምንጭ = ስንክሳር ዕለት 27 ጥር

## <u>ኖኅ</u>

ኖኅ ማለት ለዋህ። መድኃኒ። ተኣማኒ ማለት ክኸውን ከሎ። ኣቡኡ <u>ላሜህ</u> ኣዲኡ <u>ቤቴናስ</u> ይብሃሉ፡ ሚያዝያ ዕለት 6 ተወልደ፡ ዕለት 28 ጥቅምት ከኣ መርከቡ ኣብ እምባ ዓራራት ኣቓመ፡ ሰበኺ ጽድቂ ኖህ “ንቶም ህዝቢ ክንስሑ ሰበኸ” ማለት እቲ መዓት 120 ዓመት ከምዝተረፎ ካብ ጎይታ ብዝተነግሮም እኳ እንተነገሮም ንሳቶም ግን እቲ 100 ዓመተ በሊዕና። ሰቲና። ሳዕሲዕና። ተጻዊትና እቲ 20 ዓመት ንስሓ ንኣቱ በልዎ፡ ሽዑ እቲ ዝሓሰብዎ ከይኣኽለ 93 ዓመት ምስ ኮነ ከይሓሰብዎ ክበልዑ። ክሰትዩ። ክስዕስዑ። ክጻወቱ። ከእትዉን። ክተኣታተዉን ብብዝሒ ጽጋብ ጭራሕ ምራሕ እናፈጸሙ ግንቦት ዕለት 27 ዝለበጠ ማይ መጸም፡ ኩላቶም ክጠፍኡ ከለዉ። 8 ነፍሳት ጥራይ ደሓና፡ ማለት ኖኅ ምስ ሰበይቱ <u>ሃይከል</u> ኣል ራጉኤል ኣል ሓብቱ ዝኾነትን። ሰለስተ ደቁ መምስ ኣንስቶም ኣብታ ዝሰርሓ መርከብ። ምሳቶም ካብ ኩሉ ፍጥረት ተባዕታይን ኣንስታይን ዝተነግሮ ኣእተዎም እሞ። እቲ ልቡጥ

ማይ ንሓደ ሚእትን ሓምሳን መዓልቲ ማለት ካብ ግንቦት 27 - ጥቅምቲ 27 ዘነበ፡
ድሕሪኡ እቲ ማይ ምዝሓሉን ምጉዳሉን ንምፍላጥ ንኳኽ ለኣኽ፡ ኳኽ ሞፍትኡ ፈጢሩርሉ ካብቶም ዝሞቱ ክበልዕ ከይተመለሰ ተረፈ፡ ንካልኣይ ግዜ ንርግቢት ለኣኻ ተመሊሳ መጺኣ ኣይዘሓለን በለቶ፡ ንሱ ክትመጽእ እንከላ ብመስኮት ተቐበላ፡ ንሳልሳይ ግዜ ውን ኩነታት ከተጽንዕ ንርግቢት ለኣኻ፡ ዝሒሉ እዩ ንኽትብል ናይ ብስራት ምልክት ናይ ኣውልዕ ቆጽሊ ሒዛትሉ መጸት። ንሱ ከም ቀደሙ ኢዱ ብመስኮት ኣውጺኡ ተቐበላ፡
ኖኅ መርከቡ ኣብ ደብረ ኣራራት (ሊባር) ኣዕረፈ። እሞ ሓረስታይ ክኸውን ጀመረ፡
ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ወይኒ ሰትዩ ሰኸረ፡ ዕራቐ ኮይኑ ክሎ ወዲ ካም ወዱ ከንኣን ርእዩ ሰሓቐ እሞ ነቡኡ ካም ነገሮ፡ ኣቡኡ ከኣ ንሴም ነገሮ፡ ሴም ናይ ኣቡኡ ዕራቐት መታን ከይርኢ ንድሕሪት ገጹ እናጠመተ ከዳን ወሲዱ ኣልበሶ፡ ስኹር ናይ ልቡ ነይርስዕ ከምዝበሃል እቲ ስኽራን ምስ ሓደጎ ወዲ ወዱ ከነኣን ዝገበሮ ተረዲኡ። ንሴም ክምርቐ ከሎ ንዕኡ ግን ረገሞ፡
ናይ ኖህ መርካብ ብቤተ ክርስትያን። ብቅድስት ድንግል ማርያም ትምሰል፡ እዚ ሕጂ ኣቕዒማ ሰብኡትን ኣንስትን ካህናትን ኣብነት ኮይኑ ዘሎ ካብቲ ኖህ ኣብ መርከብ ዝጀመሮ ኣብነት ብምውሳድ እዩ፡
ኖኅ ዓመታት ካብ ዘቑጸሩ ኣብ ካልኣይ ኢዮቤልዩ ሱባኤ ኣብ መርከብ ኣትዩ ሻሙናይ ርእሱ ደሓነ፡ ኣብ መበል 950 ዕድሚኡ ኣዕረፈ፡ ዘፍ 6።5 ዘፍ 7።1-8
ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኩልና ሕዝበ ክርስትያን ይኹን፡

## <u>ኣብርሃም ርእሰ ኣበው (ርእሲ ኣቦታት)</u>

ኣብራም ማለት ዓቢይ ክኸውን እንከሎ። ድሒሩ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ዝሃቦ ስም ከኣ ኣብርሃም "ኣቦ ብዙሓት" ማለት እዩ፡ ስም ኣቡኡ <u>ታራ</u>። ስም ኣዲኡ ከኣ <u>እድና</u> ይብሃሉ፡ ኣቡኡ ታራን ኣዲኡ እድናን መምለኽቲ ጣኦት ኮይኖም። ታራ ጸሪቡ ናብ ዕዳጋ ይሸይጥ ነበረ፡
ኣብርሃም ድሕሪ ናይ 7 ዓመት ናይ ወለዱ መርዓ ነሓሴ ዕለት 27 ተወልደ፡ ኣቡኡ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቐሰ ሰያጢ ጣዖት ስለዝነበረ ንኣብርሃም ወዱ ኪድ ሸጥ ኢልዎ ኣብ ዕዳጋ ወሪዱ ዘየድሕን ኣምላኽ ዝገዝእ እናበለ ነቲ ሕዝቢ ሓበሮ፡ እቲ ህዝቢ ወዲ ታራ ዓቢዱ። ተጸሊኡ። ሰኺሩ ብምባል ዝገዝኣሉ ስኢኑ ንገዝኡ ክምለስ ከሎ "ጠምየ ኣብልዓኒ። ጸሚኤ ኣስትየኒ እንተዘይኮነ ከኣ ተዛረበኒ" በሎ፡ እቲ ጣዖት ብዕለት ስሉስ ዝተፈጥረ ዕንጨይቲ ስለዝኾነ ስኽ በለ፡
ኣብርሃም " ብቐደሙስ ኣነ ጌገኛ ኮይነ እየ እምበር ብዕለት ሰሉስ ዝተፈጠርካ ዕንጨይቲ እንዲኻ" ኢሉ ብእምኒ ሰቢሩ ደርበዮ፡ ነቲ ኣቡኡ ጸጸሪቡ ብብዝሒ ዘቐመጦን ነቲ ዘምልኾ ዝነበረን ሰብ ከይረኣዮ ሓዊ ወሊዑ ኣቃጸሎ፡
ኣቦ ሎጥ ኣራን ናይቲ ጣኣት <u>ኣጋፋሪ</u> "ሓላዊ" ስለዝነበረ እቲ ጣያት ክነድድ ከሎ ምስ ረኣየ ዋይ ኣነ ጣያተይ ብምባል ኣብቲ ሓዊ ኣትዩ ነሓሴ ዕለት 19 ሞተ፡
ኣብርሃም ኣምላኹ ከረክብ ናብ ባሕሪ ሰውኣ። ንሱ እንተኾነ ውን ከዘራርቦ ኣይከኣለን፡ ናብ ሓደ ዓቢይ ገረብ ሰውኣ። ንሱ ውን ከዘራርቦ ኣይከኣለን፡ ድሕሪኡ "ጸሓይን ወርሕን ዝፈጠርካ ኣምላኽ ተናገረኒ" ኢሉ ተናገረ፡ ሽዑ ጎይታ "ኣብርሃም ኣብርሃም። ኣምላኽካ ኣነ እየ" ኢሉ ካብ ቤተሰብካ ተፈሊኻ ናብ ከንኣን ኪድ በሎ፡ ናብ ከንኣን ከይዱ ምስ ጎይታ ተራኽበ፡ ንመልከ ጼዴቅ ንኽጽውዖ ነገሮ፡ "ኦ ናይ እግዚኣብሔር ሰብ" ኢሉ 3 ግዜ ጸውዖ፡ ካህን መልከጼዴቅ ካብቲ ዝነበሮ ዱር ወጺኡ ተዛረቦ፡ ኣብርሃም ንካህን መልከ ጼዴቅ ዕሸር ሃቦ። መልከ ጼዴቅ ከኣ መስዋዕቲ ሰውኣሉ፡
ጎይታ ቅደም ስሙ ኣብራም ዝነበረ ኣብርሃም ቀየረሉ፡ ኣብርሃም ብምቐባል ኢጋይሽ ኣዝዩ ፍሉጥ ስለዝነበረ ሰይጣን ቀኒእሉ። ነቶም ኢጋይሽ ኣብርሃም ዝፈግኡ ተመሲሉ ርእሱ ተፈጊኡ ደም እናወጸ "ኣብርሃም ቀደም ከይመስለኩም ነዓይ እኳ ክበልዕ ኢለ እንተኾድኩስ ርእሰይ ፈጊኡኒ እነሀኹልኩም" ንምባል ንሰለስተ መዓልቲ ዝኣክል ናብ ኣብርሃም ኢጋይሽ ከምዘይመጹ ገበረ፡
ኣብራሃም ከኣ ብዘይ ኢጋይሽ እኽሊ ስለዘይጥዕም ካብ ዕለት 4 ሓምሌ ክሳብ 7 ሓምሌ ከይበልዐ ምስ ቀነየ ሥላሴ ንኣብርሃም

መታን ከብልዑ አረግቶት ኣጋይሽ ተመሲሎም ናብ ቤቱ መጺኦም ኣብልዕዎ፡ ሰበይቱ ሳራ ጓል ___ ዓመት "ወዲ ክትወልድ ስሙ ከኣ ስለዝሰሓቐት ይስሓቅ ክትብሎ ኢያ፡ ከምዛ ሎሚ መጺአ ዘሎኹ ንዓመታ ክመጸካ እየ" በሎ፡
አብርሃም ስለ ስዶምን ጎሞራን ካብ ሚእቲ ዓሰርተ ጻድቃን እንተረኺብካ መሓሮም እናበለ ደጋጊሙ ንጎይታ ሓተተ፡ ጎይታ ውን ሕራይ ክምሕሮም እየ" በሎ፡ ካብ ሚእቲ ዓሰርተ ይትረፍ ሓሙሽተ ውን ኣይተረኽቡን፡ ማለት ብጀካ ሎጥ ምስ ክልተ ኣዋልዱ ካልእ ጻድቕ ኣይተረኽበን፡
አብርሃም ብጥሜት ምኽንያት ናብ ሃገረ ግብጽ ወረደ፡ ኣብኡ ከኣ ጎይታ ረዲእዎ እቲ ንጉሥ ንኣጋር መጉዚት ገይሩ ምስ ብዙሕ ሃብቲ ሃቦ፡ አብርሃም ኩሉ መንገድታቱ ብጎይታ ይሕገዝ ነበረ፡
ሳራ ጓል 127 ዓመት ምስ ኮነት ኣዕረፈት፡ ኣብ ኬብሮን መቕብር ገዚኡ ቀበራ፡ ንሱ እንተኾነ ውን ኣብ 175 ዓመቱ ነሓሴ ዕለት 29 ዓረፈ፡ ምስ ሰበይቱ ከኣ ኣብ ኬብሮን ተቐብረ፡
አብርሃም ስየ ብምሓዝ ነቲ መሰውኡ ይዞሮ ነበረ፡ አብርሃም ጎይታ 500 ዘመን ክትጸምሕ ኢኻ በሎ፡ አብርሃም ከኣ ን500 ዓመት ኢለ ቤት ኣይሰርሕን እየ። 1000 ዓመት ጸኒሐ እንደገና እንተዘይሕደስ ኮይነ ኢሉ ቤት ከሰርሐ ዕድሚኡ ከም ሰበኽ ሳግም ኣብ ድንኳን ኣሕለፎ፡ ሎሚ እውን ናይ አብርሃም ዘርኢ ዝተባህሉ ኣብ ኢየሩሳሌም ኣብ ድንኳን ዝነብሩ ኣለዉ፡
ጎይታ ንአብርሃም "ንዘርእኻ ከም ሑጻ ባሕርን ከም ከዋኽብቲ ሰማይን ከብዝሑም እየ" ዝብል ቃልኪዳን አተወሉ፡
አብርሃም ትእዛዝ ኣምላኹ ኣኽባርን ኣማንን ብምኳኑ ነቲ ዝፈትዎ ሓደ ወዱ ይስሓቕ መስዋእቲ ገይሩ ኣቕረቦ፡ አብርሃም ካብ ኣጋር እስማኤል። ካብ ኬጡራ ከኣ 6 ደቂ ወለደ፡
አብርሃም ነገሥቲ ኮሎዶ ጎሞር ስዒሩ ምስ መጸ "ንመዋዕልየኑ ትፈኑ ወልደከ ወሚመኑ ታርእየኒ ኪያሃ ዕለት" ኢሉ ንጎይታ ምስ ሓተቶ። ጎይታ ከኣ ክሳብ ሽዑ ኣይትጸንሕን ኢኻ ግን ምሳሊኡ ከርእየካ እየ በሎ፡ ድጓዓ ያሬድ ዘፍ 10።14 ዘፍ 18።1-25 ዘፍ 17።4-8 ዘፍ 18።2-8 ዘፍ 21።3-7 ዘፍ 22።9-13

ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኩልና ሕዝበ ክርስትያን ይኹን፡

- ሰላም ለከ ለፍኖተ ጌጋይ ዘኢተውኮ፡
- በጎዲገ ኣብ ምስለ ሰብኮ፡
- ኣብርሃም ፍጹም በጎሩት ወበአምልኮ፡
- እግዚኣብሔር ኣእበየከ ወባረከከ ባርኮ፡
- እስመ ሰመየከ ዲበ ምድር ኣርኮ፡

## ይስሓቕ ወዲ ኣብርሃም

ይስሓቕ ማለት ተኣዛዚ (ሽቶ) ማለት እዩ፡ ኣቡኡ ኣብርሃም ኣዲኡ ሳራ ይብሃሉ፡ ግንቦት ዕለት 28 ተወልደ፡
አዲኡ ሣራ ወዲ ኽትወልዲ ኢኺ ተባሂላ ስለዝሰሓቐት እዩ ስሙ ይስሓቕ ተባሂሉ፡ ይስሓቕ ከኣ ነብኡ ቅኑዕን ተኣዛዝን ነቲ ካብ ኣምላኽ "ነቲ ትፈትዎ ሓደ ወድኻ ይስሓቕ ንዝሓርር መስዋእቲ ሠውዓዮ" ዝብል ቃል እግዚኣብሔር ናብ ኣብርሃም መጸ፡ ከምቲ ዝተኣዘዞ ድማ ካራን ሓዊን ተማሊኡ ንምድሪ ሞርያ ከደ፡ እቲ ንእሽቶ ቆልዓ ይስሓቕ ከኣ "ኣቦየ ሓውን ዕንጨይትን'ሲ እንሆ፡ እቲ ንመስዋእቲ ዝኾነውን በጊዕ ደኣ ኣበይ ኣሎ፧" ኢሉ ነብኡ ኣብርሃም ሓተቶ፡ ኣብርሃም ናይ ልቡ ምስጢር ኣቕሚጡ "ወደየ በጊዕ'ሲ እግዚኣብሔር ባዕሉ ክሓልየልና እዩ" በሎ፡
አብርሃም ኣብቲ ዝተሓበሮ ቦታ ምስ በጽሐ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዝተጸፍጸፈ ዕንጨይቲ ንይስሓቕ ኣሲሩ በጥ ኣበሎ፡ ካራ ሒዙ ኣብ ክሳድ ወዱ ኢዱ ወስ ምስ ኣበለ ኣምላኽ ስለ ዝኾልከሎ ግና ይስሓቕ ካብ ምስዋዕ ደሓነ፡ ኣብ ክንድኡ ድማ ብዕፀ ሳቤቕ ዝተኣስረ በጊዕ ኣምሰያኡ ተሰውኡ፡ (ግብረ ሕማማት ናይ ሓሙስ ምንባብ ተመልከት ገጽ __)
ይስሓቕ ናይ መጀመርታ ግዝረት ተገዝረ፡ ሰበይቱ ርብቃ ትብሃል፡ ጓል ኣኩኡ ላባ ኢያ፡ ካብኣ ንኤሳውን ይዕቆብን ወለደ፡ ንያዕቆብ ድማ መረቕ፡ ዕድመ ጸጊቡ ብሰላም ዕለት 28 ነሓሴ ኣብ መበል 180 ዕድሚኡ ዓረፈ፡

ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኩልና ሕዝበ ክርስትያን ይኹን፡

- ሰላም ለይስሓቕ ዘኢያግዘፈ ክሳዶ፡

- ለደኒን ወለተሀርዶ፡
- ምስለ አብርሃም ብህየ ከመ ይፈጽም መፍቅዶ፡
- እግዚኣብሔር ውስተ ደብረ ራዕይ ወሰዶ፡
- ጎበ ንጽሐ ልቡ ነጸረ ወንጹሐ እዶ፡

## ያዕቆብ ወዲ ይስሓቕ

ያዕቆብ ማለት አሐዜ ሰኰና ማለት እዩ፡ አቡኡ ይስሓቕ ኣዲኡ ርብቃ ዝበሃሉ ኮይኖም ታሕሳስ ዕለት 28 ተወልደ፡ ዓሰርተው ክልተ(12) ነገደ እስራኤል ወለደ፡ ያዕቆብ ንራሄልን ልያን ክብል 14 ዓመት ንሐሙኡ ተገዝአ፡ ያዕቆብ ካብ ሊያ ሮቤል። ስምኦን። ሌዊ። ይሁዳ። ይሳኮር። ዛብሎን። ዲና ካብ ርሄል ከኣ ዮሴፍ። ቢንያም ወለደ፡ ካብታ ናይ ራሄል ኣገልጋሊት ዚልጳ ጋድ። አሴር ወለደ፡ ስለዚ እቶም 12 ነገደ እስራኤል ዝተባህሉ እዚኣቶም እዮም፡ መበል 13 ዲና ዝተባህለት ጓል ካብ ልያ ዝተወልደት ነበረት፡ እንተኾነ ደቂ ሓሞር ተበራርዮም ስለዘርከስዋ ስለዝሞተት ኣብ ቁጽሪ ኣይኣተወትን፡ አቦሓግኡ ኣብርሃም ክመውት ከሎ ሓቑፉ ሰዓሞን መረቕን፡
ኤሳው ሓዉ ክቕትሎ ምስ ደለየ ጥር ዕለት 12 ቅ/ሚካኤል ኣድሓኖ፡ ስለ ቅድስት ድንግል ማርያም ኣብ ምድረ ሎዛ እምኒ ተተርኢሱ ከሎ ናይ ወርቅ ሰዋስው ካብ ምድሪ ክሳብ ሰማይ ተተኺሉ መላእኽቲ ብኣኣ ክድይቡን ክወርዱን ከለዉ ረኣየ፡ ስሙ ውን ያዕቆብ ዝብል ተሪፉ እስራኤል ክበሃልን ካብቶም 12 ደቂ ወዲ ዮሴፍ ኤፍሬም ንክህነት። ምናሴ ንመንግሥት ክልተ ኢዱ ኣመሳቒሉ ብኣምሳለ ትእምርተ መስቀል ባረኾም፡ እቲ መሰውዒ "ቤቴል" ኢሉ ዝሰመዮ ዓቢ ኣቦ ኮይኑ ኣብ መበል 147 ዕድሚኡ ዕለት 28 ነሓሴ ኣብ ግብጽ ዓረፈ፡ ኣስከሬኑ ከኣ ግብጽ ናብ ከንኣን ተቐብረ፡ ግብጻውያን ኣዝዮም ስለ ዝፈትዉዎ 70 መዓልቲ። እስራኤላውያን ከኣ 30 መዓልቲ ኣልቀሱሉ። ዘፍ 47#28 ፡ እዚ ከም ስርዓት ተሓሲቡ ክሳብ ሎሚ ድሕሪ 40 ሓዘን ከም ዘየለ ተታሕዘ፡ ዘፍ 28#1-32 ዮሓ 7#8 ዘፍ 49#32 ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስትያን ይኹን

- ሰላም ለያዕቆብ እንተ ወለደ ነገሥተ፡
- ወለ ደብተራ ሰምዕ ካህናተ፡
- በጎበ ሰዋስወ ርእየ እንዘ ይነውም ሌሊተ፡
- ተነበየ ለአሕዛብ መንገለ ኣምን ሚጠተ፡
- ለሓውልተ ሰምዕ ኣመ ቀብዓ ዘይተ፡

## ካህን መልከ ጼዴቅ ወዲ ሳሌም

መልከ ጼዴቅ ማለት ብእብራይስጥ ናይ ሓቂ ንጉሥ። ናይ ሓቂ ገዛኢ ማለት ክኸውን ከሎ ትውልዱ ካብ ሕዝቢ ካም ኮይኑ ብሕጽር ዝበለ ሐሴል ንሳሌም። ሳሌም ንሜልኪን ንመልከ ጼዴቅን ወለደ፡ ስለዚ ስም ኣቡኡ ሳሌም ኣዲኡ ከኣ ሰሊማ ይብሃሉ፡ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ ዕብ 7#11 "ዘኣልቦቱ አብ ወእም"፡ ኣቦን ኣደን የብሉን ንዝበሎ ትርጉሙ ዘተረድኡ ሰባት "መልከ ጼዴቅ ወዲ እግዚኣብሔር እዩ" ኢሎም ክምህሩ ኣብ ዝተሰምዐ ግዜ ዝነበረ ሊቅ ቅዱስ ማርቆስ ካብ ኣምላኽ ሱባኤ ሓቲቱ ብዝረኽቦ ዝሃቦም መረዳእታ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፡ ኣቦን ኣደን የብሉን ከብሎ ዝኸኣለ

1. ናይ ነገደ ካብ ትውልዲ ኣብ መጽሓፈ ኦሪት ስለዘይተጻሕፈ እምበር ኣቡኡ'ስ ሳሌም እዩ፡
2. ኣቡኡ መምለኽቲ ጣዖት ብምንባሩ እዩ ነቡኡ ዘይዘከሮ፡

እዚ ካህን መልከ ጼዴቅ ብትንቢት ብዕለት 27 መጋቢት ተወልደ፡ ተወሊዱ ውን ከም ኩሉ ሰብ ምስ ወለዱ ኣይዓበየን፡ ምኽንያቱ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ስለዝመረጾ ኣቐዲሙ ውን ብዓቢ ሓወቡኡ ሴም ትንቢት ዝተነግረሉ ኣብ ጎልጎታ ዝተባህለ ምስ መላእኽቲ ኮይኑ ናይ ኣቦሓጎታቱ ኣዕጽምቲ ማለት ካብ ኣዳም ክሳብ ኣቡኡ ዝነበሩ ቅዱሳን ኣስከሬኖም ብኽብሪ እናዓጠነ ይነብር ነበረ፡
ጸጉሪ ርእሱ መላጸ ኣይተንከፎን፡ ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ኣብርሃም ንጸላእቱ ነገሥታት ስዒሩ ምስ ተመልሰ ብመስዋዕቲ ስርናይን ወይንን ተቐበሎ፡ እዚ ከኣ ትንቢት ናይ ቅዱስ ሥጋ ወልደ እግዚኣብሔርን ክቡር ደመ ወልደ እግዜብሔርን እዩ፡ ኣብርሃም ውን ካብ ኩሉ ትሕዝትኡ ዓስራይ ኣፍ ሃቦ፡ ስለዚ እዩ ከኣ ክሳብ ሎሚ ዕሸር ንቤተ ክርስትያን እናተዋህበ ዝነበር ዘሎ፡
ናብ ናይ ሳሌም ኣቡኡ ታሪኽ ክንምለስ

ሳሌም ኣቡኢ መምለኺ ጣዖት ስለዝነበረ ንመልከ ጼደቅ ወዱ “ካብተን ኣባጊዕ ዝጸበቐ ኣምጽኣለይ እሞ ንኣምላኽና ጣዖት መስዋእቲ ከነቕርብ” በሎ፡
መልኬ ጼዴቕ “ጣዖት ደኣ እንታይ ኣምላኽ ኮይኑ እምቢ ኣየምጽኣልካን እየ” በሎ፡ ሳሌም “እምበኣርከስ ኣብ ክንዲ በጊዕ ንዓኻ ክስውኣካ እየ” በሎ፡ ኣብዚ ግዜ እዚ ኣዲኡ <u>ሰሊማ</u> ኣዝያ ትፈትዎ ስለዝነበረት ንሳሌም ሰብኣያ መስዋዕ ምስውኡስ ምስ የሕዋቱ ዕጫ ኣውዲቕካ ዘይተስውዕ በለቶ፡ ንሱ ውን ንዘረባኣ ተቐበላ፡ ዕጫ እንተኣውደቐ ናብቲ ዓቢ ሓዉ በጽሐ፡ ሳሌም ንወዱ ክስውዖ እናኸደ ከሎ ሰሊማ ንመልከ ጼዴቕ ወዳ “ኣንታ ወደይ ሓውኻ እናሞተ ስቕ ዲኻ ትብል” በለቶ፡ መልከ ጼዴቕ ናብ እግዚኣብሔር ጸሎት ገበረ እሞ ካብ ሰማይ ሓዊ ወሪዳ ንሳሌም ምስ ወዱ በልዓቶም፡
መልከ ጼዴቅ ምሳሌ ናይ ጎይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ፡ ዕረፍቱ ወይ ዝተሰወረሉ ዕለት ጳጉሜን ዕለት 3 እዩ፡
ኣብ ሃገርና ኤርትራ ብስሙ ዝተሓንጸ ቤተክርስትያን ኣብ ሰላዕ ዳዕሮ ዘተባህለ ዓዲ ዞባ ማእከል። ብማየ ጸሎት ንብዙኃት እሙማት ዘሕዊ። ውላድ ዝሰኣና መኺናት ውላድ ዝህብ ፍሉጥ ኣሎ፡
ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኩልና ሕዝበ ክርስትያን ይኹን፡

- ሰላም ለመልከ ጼዴቅ ኣምሳሉ ወሲታፉ፡
- ለዘመጽኣ ቃል በደመና ስንግል ኣጽፉ፡
- ጠቢባን ግብሮ በከመ ጽሐፉ፡
- ለሥጋ ኣዳም ኣቡነ ጎበ ተሐንፀ ምዕራፉ፡
- ዝንቱ ካህን ይነብር ለዝሉፉ፡

ምንጭ = መጽሐፈ ፊልክዩስ ገጽ 38-39
ከምኡ ውን ትርጓሜ መዝሙረ ዳዊት 110።4
ሁለቱ ኪዳናት ማኅበረ ቅዱሳን ኣዲስ ኣበባ ብ1995 ግዕዝ
ዘፍ 4።18 ዕብ 7።1-10 ስንክሳር ዕለት 3 ጳጉሜን

## <u>ዮሴፍ ወዲ ያዕቆብ</u>

ዮሴፍ ማለት ዓመት ዓመት ይድገመና (ገበገብ) ማለትእዩ፡ ኣቡኡ ያዕቆብ ኣዲኡ ራሄል ዝተባህሉ ኮይኖም ነሓሴ ዕለት 7 ተወልደ፡ ዮሴፍ ነቡኡ ይዕቆብ መበል 11። ነዲኡ ራሄል በኽሪ ወዳ እዩ፡ ኣብ ግዜ እርጋኖምም ስለዝወለድዎ ኣቡኡ ሓለፋ ካልኦት ደቁ ይፈትዎ ነበረ፡ ኣሕዋቱ ብቕንኣት ዝኣክል ኣዝዮም ጸልእዎ፡
ዮሴፍ ሓላሚ ሕልሚ ብምኽኑ ሓደ እዋን ሕልሚ ሓሊመ ኢሉ “እንዳእትኹም ንእንዳእተይ ክሰግዳላ። ከምኡ ውን ጸሓይን ወርሕን ዓሰርተው ሓደ ከዋኽብትን ክሰግዱለይ ረእኹ” ኢሉ ነሕዋቱ ከምዛ ዋዛ ኣዕለሎም፡ በዚ ድማ ኣቕዲሞም እውን ይቕንእሉ ስለ ዝነበሩ። ስንቂ ሒዝሎም ናብ ዘለዉዎ በረኻ ምስ ከደ ብኣራዊት ዝተበልዐ ኣምሲሎም ነቡኡም ብምንጋር ንሰብ ምድያን ነጋዶ ሸጥዎ፡
እቶም ነጋዶ ከኣ ብወገኖም ናብ ግብጺ ወሲዶም ንጳጢፋራ ዝተባህለ ሃብታም በዓል ስልጣን ሸጥዎ፡ ኣብቲ ብመሸጣ ዝኣተዎ ቤት ብእምነትን ብቅንዕናን የገልግል ነበረ፡ ይኹን እምበር ትርኢቱ ኩሉ ዝረኣዮ ዝፈትዎ ምልኩዕ ሰብ ስለ ዝነበረ እታ ሰበይቲ ጳጢፋራ ብግብሪ ዝሙት ተመነየቶ፡ ንሱ “ከመይ ገይረኽ እዚ ዓቢ ሓጢኣት እዚ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክገብሮ፧” ኢሉ ነቲ ርኹስ ሓሳባታ ነጸጎ፡
እታ ሰበይቲ ግና ሓሳባታ ከም ዘየሠመረላ ምስ ፈለጠት ሓሶት ምሂዛ ብተንኮል ካብ ዕዮኡ ምስ ኣተወ ሰብ ከኣ ኣይነበረን። ሽዑ ክዳኑ ቀጥ ኣቢላ ሒዛ “ምሳይ ደቅስ” በለቶ፡ ንሱ ክዳኑ ኣብ ኢዳ ሓዲጉላ ሃደመ፡ ንሳ ነቲ ናቱ ክዳን ሒዛ ንኣገልገልታ ጸዊዓ “ርኣዩ እቲ ሰብኣየይ ዘምጽኡ ሽቃላይ ክዕምጸኒ ናብዚ ዘለኹዎ ኣተወ፡ ኣነ ከኣ ድምጸይ ዓው ኢለ ኣእወኹ። ሽዑ ንሱ ክዳኑ ሓዲጉለይ ሃዲሙ ንግዳም ወጸ” ኢላ ነገረቶም፡ ነቲ ክዳኑ ከኣ ጐይትኡ ካብ ስራሕ ክሳብ ዝኣቱ ምስኣ ኣጽንሓቶ፡ ንሰብኣያ ውን ከምቲ ነቶም ኣገልገልቲ ዝበለቶም ነገረቶ፡ ናብ ቤት ማእሰርቲ ከኣ ኣእተውዎ፡ እግዚኣብሔር ሞኅስ ስለ ዝሃቦ ከኣ ኣብ ልዕሊ ኩሎም እሱራት ተሾመ፡

## <u>ዮሴፍ ሕልሚ እሱራት ከም ዝፈትሐ</u>

ናይ ንጉሥ ግብጺ ሃለቓ ኣሰለፍቲ ወይንን ሓለቓ ሰንከትቲ እንጆራን ንጎይትኦም ፈርኦን በደሉ፡ ፈርኦን ከኣ ብኽልቲኦም ተቐጢዑ። ኣብቲ ዮሴፍ ዘለዎ ቤት ማእሰርቲ ኣእተዎም፡ ሓደ መዓልቲ ከምዚ ዝስዕብ ሕልሚ ሓሊሞም ፍትሓልና በልዎ፡ እቲ ሓለቓ ኣሰለፍቲ ወይኒ “እንሆ ብሕልመይ ኣብ ቅድመይ ኦም ወይኒ ረኣኹ፡ ኣብታ ኦም ወይኒ ድማ ሰለስተ ጨናፍር ነበረ፡ ምስ ጠጠዐ ከኣ ዓንበበ፡ እቲ ዘለላኡ ድማ ብሱል ዘቢብ ሃበ፡ ጽዋዕ ፈርኦን ድማ ኣብ ኢደይ ነበረት፡ ነቲ ዘቢብ ወሲደ ከኣ ናብ ጽዋዕ ፈርኦን ኣቐምኩዎ፡ ነታ ጽዋዕ ድማ ንፈርኦን ኣብ ኢዱ ሃብኩዎ፡”
ዮሴፍ ከኣ “ትርጉሙ እቲ ስለስተ ጨንፈር ሰለስተ መዓልቲ እዩ፡ ድሕሪ 3 መዓልቲ ፈርኦን ክፈትሓካ እዩ፡ ናብ ሽመት ቀደምካ ውን ክመልሰካ እዩ፡ ከምቲ ናይ ቀደም ኣሰላፊኡ ከለኻ እትገብሮ ዝነበርካ ከኣ ንፈርኦን እታ ጽዋዕ ኣብ ኢዱ ክትህቦ ኢኻ፡ ምስ ቀንዓካ ድማ ዘክረኒ፡ በጃኻ ምሕረት ግበረለይ ንፈርኦን ከኣ ንገረለይ እሞ ካብዛ ቤት ማእሰርቲ ኣውጽኣኒ፡” በሎ፡
እቲ ሓለቓ ሰንከትቲ ከኣ ሕልሙ “ኣነ ድማ ብሕለመይ እንሆ ፃዕዳ እንጆራ ዝሓዘ 3 መሶብ ኣብ ርእሰይ ነበረ፡ ኣብቲ ላዕላይ መሶብ ከኣ ካብ ፈርያን ዝበልያ ኩሉ ዓይነት መግቢ ግቡር እንጆራ ነበረ፡ ካብቲ ኣብ ርእሰይ ዝነበረ መሶብ ድማ ኣዕዋፍ ይበልዓ ነበራ” በሎ፡
ዮሴፍ ከኣ ከምዚ ኢሉ ነገሮ “ትርጉሙ እቲ 3 መሶብ ሰለስተ መዓልቲ እዩ፡ ድሕሪ 3 መዓልቲ ፈርያን ካብ ማእሰርቲ ከውጽኣካ። ርእስኻ ክቐርጸካ። ንሥጋኻ ድማ ኣብ ዕንጨይቲ ክንጠልጥሎ እዩ። ሥጋኻ ውን ኣዕዋፍ ክበልዕኡ እየን” ኢሉ ፈትሓሉ፡ ጸኒሑ ከኣ ከምቲ ዝፈትሓሎም ናይ ክልቲኦም ተፈጸመ፡
ከምኡ ውን ናይ ፈርኦን ሕልሚ ተርጎመ፡ እቲ ሕልሚ “ፈርያን ሸውዓተ ጽቡቓትን ስቡሓትን ኣሓ ካብቲ ፈለግ ወጺኤን ኣብቲ ሰልሰላ ዘለዎ ክበልዓ ረኣየ፡ ደድሕሪኤን ድማ ካልኦት 7 ክፉኣትን ዓባሩን ኣሓ ካብቲ ፈለግ ወጺኦን ኣብ ጥቓ እተን ቀዳሞት ኣብ ገምገም ፈለግ ኒል ደው በላ፡ እተን ክፉኣትን ዓባሩን ኣሓ ነተን 7 ጽቡቓትን ስቡሓትን ኣሓ ወሓጥኣን” ፈርኦን ድማ ተበራበረ፡ ካልኣይ ውን ሓለመ “እንሆ ከኣ ኣብ ሓንቲ ብርዒ 7 ፍሩያትን ንጹሓትን ወረን ሰዊት ወጻ፡ ድሕሪኤን ከኣ እንሆ 7 ቀጠንቲ ብንፋስ ምብራቕ ዝሃነጓ ወረን ሰዊት ወጻ፡ እተን ቀጠንቲ ወረን ሰዊት ድማ ነተን 7 ፍሩያትን ምሉኣትን ወረን ሰዊት ወሓጥኣን” ፈርያን ከኣ ተበራበረ፡ ዘፍ41፡17-36
ዮሴፍ ድማ ንፈርያን “ክልቲኡ ሕልምኻ ሓደ እዩ፡ ኣምላኽ ነቲ ክገብሮ ዘለዎ እዩ ነጊሩካ፡ እተን 7 ጽቡቓት ወረን ሰዊት 7 ዓመት እዩ፡ ደድሕሪን ዝወጻ 7 ዓባሩን ክፉኣትን ኣሓ ከኣ 7 ዓመት እየን፡ እተን ዓሸል ብንፋስ ምብራቕ ዝሃነጓ 7 ወረን ሸዊት ድማ 7 ዓመት ጥሜት እየን” ኢሉ ተርጎመሉ፡ “እንሆ ኣብ ብዘላ ሃገርካ ግብጺ ብዙሕ ጽጋብ ዝኾነለን 7 ዓመት ክመጻ ኣየን፡ ብድሕሪኣን ከኣ 7 ዓመት ጥሜት ክመጻ እየን፡ ብኣእን እቲ ኩሉ ኣብ ሃገር ግብጺ ዝነበረ ጽጋብ ክርሳዕ እዩ፡ እታ ሃገር ከኣ ብጥሜት ክትውዳእ እያ፡ እቲ ጥሜት ኣዝዩ ክብርትዕ እዩ፡ ዘፍ 37፡1-ፍጻሜ ዘፍ 38፡1-ፍጻሜ ዘፍ 39፡1-ፍጻሜ ዘፍ 41፡1-ፍጻሜ ዘፍ 42፡1-ፍጻሜ ዘፍ 43፡1-ፍጻሜ ኢሉ ንንጉሥ እቲ ክገብሮ ዘለዎ ኣማኸሮ፡ እቲ ንጉሥ ከኣ ትሕቲኡ ገይሩ ሸሞ፡
ሰይቲ ዮሴፍ <u>ኣሰኔት</u> ትብሃል፡
ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኩልና ሕዝበ ክርስትያን ይኹን፡

## <u>ዜና ሞት ሙሴ ነቢይ ወዲ እንበረም</u>

ሙሴ ማለት እጓለ ማይ (ካብ ማይ ዝተረኽበ) ማለት እዩ፡ ስም ኣቡኡ <u>እንበረም</u> ኣዲኡ <u>ዮካብድ</u> ኮይኖም። ሊቀ ነብያት እናተባህለ ውን ይጽዋዕ እዩ፡ ነሓሴ 13 ሰንበት መዓልቲ ተወልደ፡ ሓብቱ ማርያም ትብሃል ነበረቶ፡ ኣብቲ እዋን እቲ እስራኤላውያን ብግብጻውያን ዝሳቐይሉ ዝነበሩ እዋን እዩ ተወሊዱ፡ ኣዋዳት ዘበሉ ይቀተሉ ዝብል ሕጊ ወጺኡ ስለ ዝነበረ። ኣዲኡ ዮካብድ ንሰለስተ ወርሒ ዝኣክል ኣብ ከባቢ ገምገም ባሕሪ ሓብኣቶ፡ ሓደ መዓልቲ <u>ቴርሙዝ</u> ጓል ፈርኦን ምስ ማርያም ሓብቱ ሰብነታ ማይ ክትሕጸብ ኢላ ናብኡ እንተወረደት ኣብ ውሽጢ እቲ ሰልሰላ ረኺባ ወሰደቶ፡ እታ

ሓብቱ ብተዘዋዋሪ። ኣዲኡ እናኣጥበወት ከተዕብዮ ኣራኸበተን። ኣብ ኢድ ኣዲኡ ከኣ ዓበየ፡ ኣብ 3 ዓመቱ ፈርያን ሕጊ ክዕምጽ ከሎ ጉንዲ እዝኑ ምስ ጸፈያ። ፈርያን ክሓርዶ ክብል ከሎ ሽማግለታት አድሓንዎ፡ ሽዑ ፈርያን ጓህርን መግብን ኣቕሪበልካ ኣለኸ። እንሆ ፈሊኻ ብላዕ ኢሉ ፈተኖ፡ መልኣክ እግዚኣብሔር መጺኡ ንኢድ ሙሴ ናብቲ ጓህሪ ኣቕንየ። እምበር ሙሴስ ናብቲ ፍትፍት እዩ ሰዲድዎ ነይሩ፡

ሽዑ ሙሴ ነቲ ፍትፍት ገዲፉ ነቲ ጓህሪ ኰለሶ እሞ ኣፉ ኮርታዕ (ጸያፍ) ኮነ "ልሳንየ ለሙሴ ለእመ ኮነ ጸያፈ "ከም ዝበለ ደራሲ መልክዓ _____፡ ኣብ እንዳ ፈርያን ከኣ ምስ ጓል ፈርያን 40 ዓመት ገበረ፡ ደሓር ግን ወዲ ጓል ፈርያን ክበሃል ኣይደለየን፡ ምስ ሕዝቡ ደኣ መከራ ክጸግብ ደለየ፡

ምስ ዓበየ ክልተ ሰባት ሓደ ግብጻዊ ሓደ ከኣ ዕብራዊ ክበኣሱ ከለዉ ረኣየ፡ ብዘራይ መልክዕ ነቲ ግብጽዊ ቀተሎ፡ ንካልኣይ ግዜ ከኣ እስራኤላዊን እስራኤልዊን ክልተ ኣሕዋት ክበኣሱ ኣብ ዝጸንሕዎ ቅርብ ኢሉ ስለምንታይ ተበኣሱ እንተበሎም ሓዲኣም ከምቲ ትማሊ ነቲ ግብጻዊ ዝቐተልካዮ። ሎሚ ከኣ ንዓና ክትቐትለና ደሊኻ። በሎ፡

ሙሴ ፈርያን እንተሰሚዑ ክቐትለኒ እዩ ብምባል ሃዲሙ ናብ ሚድያን (ሱዳን) ከደ፡ ሙሴ ኣብ ሃገር ስደቱ ምድያም ጸጸራ ዝተባህለት ጓል ካህን ዮቶር ተመርዕዩ። ጌርሳምን ኣልኣዛርን ዝበሃሉ ኣወዳት ወለደ፡ ናይ እንዳ ካህን ዮቶር ሓሙኡ ኣባጊዕ ክሕሉ ከሎ ነበልባል ምስ ሃመልማል ክነድድ ዕለት 8 መስከረም ርእዩ። ኣጸቢቑ ክርድኦ ቅርብ እንተበለ "ኣውጽእ ኣሳእኒከ እም እግሪከ እስመ ዘይተከይድ ምድር ቅድሳት ይእቲ"፡ "እዛ ትኸዳ ዘለኻ ምድሪ ቅድስቲ ኢያ እሞ ኣሳእንካ ካብ እግርኻ ኣውጽእ" በሎ፡ ኣሳእኑ ከኣ ኣውጽኡ፡ በዚ ምኽንያት ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስትያን ጫማ ኣብ ደገ ቤት ክርስትያን ክወጽእ ትእዝዝ፡

ከምኡ'ውን ኪድ ንሕዝበይ ጓስዮም ምስ ተባህለ። ሙሴ "ኣነ ኣፈይ ጸያፍ እዩ። መን ልኢኹኒ'ኸ ክብል።" እንተበለ። "ኣሮን ሓዉኻ ኣፍ ይኹንካ፡ ኣልፋ ወኣሜጋ ልኢኹኒ በል" በሎ፡ ሙሴ ብትእዛዝ መሠረት ንፈርያን ክይዱ "ንሕዝበይ እስራኤል ሕደጎም ይኺዱ ኢሉካ" በሎ፡ ፈርያን ልቡ ሰይጣን ስለዘጨከኖ እምቢ በሎ፡ ሙሴ ኣብ ልዕሊ ፈርያንን ግብጽን 11 ዓይነት ተኣምራት ኣርኣየ፡ ፈርያን ግን ንኹሉ ኣይኣመኖን፡ እስራኤላውያን ናብ ግብጺ ክኣትዉ ከለዉ 70 ሰባት ዝነበሩ። ክወጹ ከለዉ ድሕሪ 430 ዓመት ግን በዚሑም ካብ 600 ሕዝቢ ንላዕሊ ኮይኖም ተኣከቡ። ካብ ምድሪ ግብጺ ከኣ ወጹ፡ ኣብ'ዚ እዋን እዚ ፈርያን 85 ሽሕ ሠራዊት ኣኸቲሉ ከይከዱ ተኸላኸሎም፡ እስራኤላውያን ባሕሪ ኤርትራ ምስ በጽሑ መልኣኽ እግዚኣብሔር ቅዱስ ሚካኤል ንሙሴ ነዛ ባሕሪ ብበትርኻ ውቐዓያ በሎ፡ ሙሴ ከኣ ከምቲ ዝበሎ ገበረ፡ እቲ ባሕሪ ናብ ክልተ ተኸፍለ፡ እስራኤላውያን ብዘይ ተረፍ ምስ ሓለፉ። ግብጻውያን ምስ ኣተዉ እቲ ክልተ ስግር ከም ግድገዳ ተኸፈሉ ዝነበረ ማይ ተሓወሰ፡ ግብጻውያን ከኣ ኣብኡ ተረፉ - 12 ጎዳር፡

ኣብ ናይ ደብረ ሲና በረኻ መዓልቲ መዓልቲ ብደመና። ለይቲ ለይቲ ብብርሃን እናመርሐ። 40 ዓመት ካብ ሰማይ ዝወረደ መና እናተመገቡ ተጓዕዙ፡ ንሳቶም ግን ጸጊቦም ንኣምላኽ ገዲፎም ጣዖት ኣምለኹ። ሙሴ ኣብ እምባ ሲና 40 መዓልቲ ገይሩ ጽላታት ሒዙ ወሪዱ እንተረኣዮም። ጣዖት ከምልኹ ጸንሕዎ፡ ሽዑ ነተን ሒዝወን ዝነበረ ጽላታት ካብ ሕርቃን ዝተላዕለ ናብ እምኒ ደርበየን እሞ ተሰብራ፡

እግዚኣብሔር ኣምላኽ ከምተን ዝተሰብራኻ ኣምሲልካ ካብ ዘይነቅዝ ዕንጨይቲ ስራሕ በሎ፡ ንሱ ድማ ሰርሐ፡ ሙሴ ኣዝዩ ዓቃልን ዕጉስን ከምዝነበረ ተጻሒፉ ኣሎ፡

## ዜና ሞት ሙሴ

ሙሴ ንእግዚኣብሔር ዕለተ ሞተይ መዓስ ከምዝኸውን ንገረኒ ኢሉ ብጸሎት ምስ ሓተቶ፡ እግዚኣብሔር "ቅድሚ ሕጂ ዕለተ ሞቱ ዝነገርኩዎ ሰብ የለን፡ ነቶም ቅድሜኻ ዝነበሩ ነብያት እኳ ኣይነገርኩዎምን፡ ንዓኻ ግን ክነግረካ ዓርቢ መዓልቲ ሰዓት ትሸዓተ ኢኻ ትዓርፍ" በሎ፡

ሙሴ ዓርቢ ዓርቢ ሰብነቱ ነጺሁ ተገኒዙ እናወዓለ ን7 ዓመት ጸንሐ፡ ክሳብ ክርስየ ዝደሊ ውን እቲ ግዜ ነውሐ፡ ሙሴ ሓደ መዓልቲ ናብ እግዚኣብሔር እናጸለየ ከሎ። መልኣከ ሞት ከም

ሓደ ጎበዝ መንእሰይ ተመሲሉ ኣብ ቅድሚኡ ደው በለ፡ ከምዚ ከኣ በሎ “ሰላም ንዓኻ ይኹን”፡ ሙሴ እዚ ቃል እዚ ካብ መልኣኽ ሞት ምስ ሰምዐ ልሳኑ ተኣሰረ። ጎረርኡ ከኣ ተዓጽወ። ምዝራብ ውን ሰኣነ። ኩሉ ብርኩ ከኣ ራዕራዕ በሎ፡ ሽዑ ብገጹ ሰጊዱ ተንሥኡ፡ ሙሴ ንመልኣኽ ሞት “ኣንታ ሰላም ዝበልካኒ። ቅድሚ ሎሚ ከምዚ ናትካ ጌይሩ ዘፍርሃኒ ድምጺ ዋላ ሓደ የለን፡” መልኣኽ ሞት “ኣይትፈልጠንን ዲኻ። ስማዕ ክነግረካ፡ ኣነ እንዲየ ሰብኣይን ሰበይትን ውሉድን ብሞት ዝፈላሊ፡ ኣነ እንዲየ ንኣባይቲ ኣባዲመ መቓብር ዝሃንጽ፡ ክሳብ ፍጻሜ ዓለም ብሽምዚ ዝነብር እንዲየ፡”

ወይቤሎ ሙሴ ለመልኣኽ ሞት “<u>ኣምኃልኩክ በዘለኣከክ እግዚኣብሔር ከመ ኢትንሥኣ ለነፍስየ እስክ ሰለስቱ ሰዓት ዘመዓልት ወእስክ እበጽሕ ጎበ ብእሲትየ ወደቂቅየ። ወጸውዖ እግዚኣብሔር ለመልኣኽ ሞት ወይቤሎ ጎድኅ፡ እስክ ይበጽሕ ጎበ ብእሲቱ ወደቂቁ</u>”፡ ሙሴ ንመልኣኽ ሞት “ክሳብ ሰዓት 3 ናይ መዓልቲ ናብ ሰበይተይን ደቀይን በጺሐ ክሳብ ዝመጽእ ንነፍሰይ ከይትወስዳ በቲ ዝለኣሽኻ ኣምላኽ ኣምሕለካ ኣለኹ።” ሽዑ እግዚኣብሔር ንመልኣኽ ሞት ሕደኅ ምስ በሎ። ናብ ቤተ ሰቡ ከይዱ ክሰናበት ሓደኅ፡

ሽዑ ሙሴ ካብ እምባ ሲና ወሪዱ ኣብ ቃራና መንገዲ ማለት ናብ ኣዲኡን ናብ ሰበይቱን ዝወስድ መንገዲ ኮይኑ ናብቲ’ዶ ክኽይድ ናብቲ እናበለ ከሎ ቃል እግዚኣብሔር ናብ ኣዴኻ ኪድ ክብሎ ከሎ ሰሚዑ። ቅድም ናብ ኣዲኡ ከይዱ “ኣደ ኣነ ሙሴ ወድኺ ኢየ ኣርሕውኒ” በላ፡ ዮካብድ ገጽ ወዳ ጸሎሎ መሲሉ ብምርኣያ “<u>ምንተ ኮንከ ወልድየ</u>” “እዚ ወደይ እንታይ ኢኻ ኪንካ። መን እዩ ጸዊዑካ። መን እዩ ኣፍሪሁካ።” ምስ በለቶ። ሙሴ “ብጅካ እግዚኣብሔር መን ክጽውዓኒ። ብጅካ ሞት ከ መን ከፍርሃኒ። ኢልኪዮ ኢኺ” በላ፡ ዮካቤድ “ምስ እግዚኣብሔር ቃል ብቓል ዝተዛረበ’ኽ ይመውት ድዩ።” በለቶ፡ ንሱ ከኣ “እወ ይመውት እቶም ኩሎም ምስኡ ዝዛረቡ ዝነበሩ ኣበይ ኣለዉ ሞይቶም እንድዮም፡ ተንሥኢ እሞ ጸጋማይ እግርኺ ኣብ ጸገማይ ገጸይ ኣንብሪ። ክልተ ኣእዳውኪ ዘርጊሕኪ ከቃልለለይ ናብ እግዚኣብሔር ጸሎት ግበሪ” በላ፡ ከምኡ ከኣ ገበረት፡ ተሳናቢትዋ ክኽይድ ከሎ ኣምሪራ በኽየት፡

ድሕሪኡ ናብ ሰበይቱ ከይዱ ኳሕኳሕ ኣቢሉ “ኣርሕውኒ ኣነ ሙሴ እየ” በላ፡ ንሳ ክፍት ኣቢላ እንተረኣየቶ ገጹ ጸሊሙ። ልቡ ጠፊእዎ። “እንታይ ደኣልካ ኪንካ። ኣግማልካ ድየን ጠፊኤና’ኻ። ገንዘብካ ድዩ ጠፊኡካ። ወይሲ መን እዩ ጸዊዑካ። መን እዩ’ኽ ኣፍሪሁካ።” በለቶ፡ “ብጅካ እግዚኣብሔር ደኣ መን ክጽውዓኒ። ብጅካ ሞት ከ መን የፍርሃኒ” በላ፡ ንሳ እቲ ምስ እግዚኣብሔር ዝተዛረበ’ኽ ይመውት ድዩ በለቶ፡ ንሱ “እወ ይመውት፡ ኣብርሃምን ኩሎም ነብያትን እኳ ሞይቶም እዮም” በላ፡

ወይቤላ ሙሴ ለብእሲቱ “<u>ኣይቴ ሀለዉ ደቂቅየ</u>”፡ ሙሴ ንሰበይቱ “ደቀይከ ኣበይ ኣለዉ” በላ፡ ወትቤሎ “<u>ሀለዉ እንዘ ይነዉሙ ውስተ ምስካብ</u>” “<u>ወይቤላ ኣምጺእዮሙ ጎቤየ</u>”፡ ንሳ ከኣ ደቂሶም ኣለዉ በለቶ፡ ንሱ ከኣ “በሊ ናባይ ኣምጽእዮም” በላ፡ እናበ’ኽየት ከኣ ከይዳ ኣተንሚኣ “ናብ ኣቦኹም ቅድሚ ምሚቱ። ሕጂ እንተዘይኮይኑ ካልእ ግዜ ክትርእይዎ ስለ ዘይትኽእሉ” ኢላ ሓደ ብየማናይ ኢዳ ሓደ ብጸጋማይ ኢዳ እናወሰደቶም ከላ። ወይቤሉዋ “<u>ኣይቲ ሀሎ ኣቡነ</u>”፡ ንሳቶም ማለት ጌርሰምን ኣልኣዛርን “ኣቦና ኣበይ ኣሎ።” በልዋ፡ ናብ ኣቦኡም ኣብጺሓ ከምዚ በለቶም “ክሳብ ትጸግቡ ረኣይዎ። እትፈላለይሉ ሰዓት ስለዝበጽሐ ኣጸቢቕኩም ረኣይዎ” በለቶም፡ ሙሴን ደቁን ከኣ ተታሓሒዞም በኽዩ፡

ሙሴ ነቲ ንእሽቶይ ወዱ <u>ንኣልኣዛር</u> ብየማናይ ብርኩ ገይሩ። ነቲ ዓቢ <u>ጌርሳም</u> ከኣ ብጸጋማይ ብርኩ ገይሩ ባረኾም፡ ሙሴ ተደፋኒቑ ብኽያት ክልተ ደቁ ምስ ሰምዐ ንሱ ውን ምስኡም በኽየ፡ ሰማያትን ምድርን በኽዩ፡

<u>ወይቤሎ እግዚኣብሔር “ምንት ያበክየከ</u>”፡ እግዚኣብሔር “እንታይ የብክየካ ኣሎ” በሎ፡ ወይቤሎ ሙሴ ለእግዚኣብሔር “<u>ደቂቅየ ክልኤቱ ያበክዩኒ፡ ወብእሲትየኒ ኣቡሃ ሞተ፡ ወእኁየኒ ኣሮን ሞተ፡ ወእነሂ እመውት፡ ለመኑ ኣጎድኅሙ</u>”፡ ሙሴ ንእግዚኣብሔር “እዞም ክልተ ደቀይ ጌርሳምን ኣልኣዛርን እዮም ዘብክዩኒ ዘለዉ፡ ምኽንያቱ ሓሞይ ዮቶር ሞይቱ። ኣሮን ሓወይ

ሞይቱ። ኣነ ከኣ ሓዲገዮም እመውት ስለዘለኽ። መን ክናብዮም እዩ፧ ኢለ እየ ዝበኪ ዘለኹ” በለ፡
እግዚኣብሔር ከኣ “እቲ ቀደም ካብ ዮካቤድ ኣዴኻ ተወሊድካ ኣብቲ ሻምብቆ ዘለዎ ገምገም ሩባ ዝሓለኽኻ ረሲዕካኒ ዲኻ፧ ንፈርያን ኣፉ ክዓጽወልካ ከሎኽ። ተርሙት ጓል ፈርያን ክትፈትወካ ወደይ ኢላ ከተዕብየካን’ዶ ረሲዕካዮ ኢኻ፧ ሕጂ ከኣ በትርኻ ሒዝካ ተንሥእ እሞ ብእኣ ጌርካ ንባሕሪ ኤርትራ ውቕዓያ” በሎ፡ ሙሴ ከኣ ወቕዓ፡ ሓደ ዓቢ እምኒ ከኣ ካብቲ ባሕሪ ወጺኡ ከረውረው በለ፡ “በል ነቲ እምኒ ውቕዓዮ” በሎ፡ ነቲ እምኒ ምስ ወቕየ ኣብ ክልተ ተመቒሉ ኣብ ማእከሉ ሓደ ሕይወት ዘለዎ ፍጡር ሓሰኻ ኣብ ኣፉ ሓደ ልሙዕ ቆጽሊ ገይሩ ክበልዕ ረኣየ፡ ከምኡ’ውን “ክሳብ እዛ ዕለት እዚኣ ኣብዚ ባሕርን ኣብ ውሽጢ እምንን ቀለበይ እናሃበ ዘጽንሓኒ እግዚኣብሔር ይባረኽ” ክብል ረኣዮ፡ እግዚኣብሔር ንሙሴ “ነዚ ሓሰኻ እዚ ኣብ ባሕርን ኣብ ንቑጽ እምንን ዝቕመጥ ሓሰኻ እኳ ዘይረሳዕኩስ። ንደቅኻን ሰበይትኻን ዝርስየም’ዶ ይመስለካ፧” “ሕጂ ከኣ ምስ ሰበይትኻን ደቅኻን ተፋኖ፡ ምኽንያቱ እቶም ዝወስዱኻ ተቕሪቦም ኣለው” በሎ፡ ሰበይቱ ሓቒፋቶ በኽየት፡ ንሱ’ውን ምስኣ በኽየ፡ ሙሴ ገዲፍዎም ካብ ቤቱ ናብቲ ዝተመደበሉ ቦታ ልቡ ጠፊእዎ፡ ገጹ ጸልሚቱ። ዝኽዶ መንገዲ ዘይፈልጥ ኮይኑ ከደ፡ ኣብቲ ዝኽዶ ከኣ ሰለስተ ጽቡቓት መንእሰያት መቓብር ክኹዕቱ ጸንሕዎ፡ “ሰላም ንኣኻትኩም ይኹን። ሰላም እግዚኣብሔር ከኣ ምሳኻትኩም ይሃሉ” በሎም፡ ወይቤሎሙ “ለመኑ ተከርዩ ዘንተ መቓብረ”፡ “እዚ መቓብር ደኣ ንመን ኢኹም ትኹዕትዎ ዘለኹም” በሎም፡ ወይቤልዎ “እሉ ወራዙት ለብእሲ ጻድቕ ፍቁረ እግዚኣብሔር ንከሪ”፡ “ንሓደ ጻድቕ እግዚኣብሔር ዝፈትዎ ሰብ መቓብሩ ንኹዕት ኣሎና” በልዎ፡ “እመ ለብእሲ ጻድቕ ፈቁረ እግዚኣብሔር ትከርዩ እንሂ እረድኣኩሙ ወእከሪ ምስሌኩሙ”፡ “ንጻድቕ እንተኾይኑስ ኣነ ውን ክሕግዘኩም ምሳኹም ክኣዕተኩም እየ” ኢሉ ክሳብ መወዳእታ ኣኳዓቶም፡ ኩዕቶም ምስ ወድኡ ሙሴ “በሉ እቲ ዝቕበር ኣምጽእዎ” በሎም፡ ንሳቶም ከኣ “እዚ እንኹዕቶ ዘሎና ቁሩብ ከይሓጸር ንፈርሕ ኣሎና እሞ። እቲ ሰብ ከኣ ግዝፉን ቁመቱን መልክዑን ልክዕ ክንዳኻ እዩ፡ ስለዚ እቶ እሞ ዓቅነልና” በልዎ፡ ሙሴ ክዕቅነሎም ኣብቲ መቓብር ምስ ደቀሰ። እንሆ መልኣከ ሞት ኣብ ውሽጢ እታ መቓብር ጸንሐ “ወይቤሎ መልኣከ ሞት ለሙሴ ሰላም ለከ ሙሴ ወልደ እንበረም”፡ ወይቤሎ ሙሴ ለመልኣከ ሞት “ሰላምከ ይግባእ ላዕሌከ”፡ ወሞተ ሙሴ ወቀበርዎ መላእክት፡ መልኣከ ሞት “ወዲ እምበረም ሙሴ ሰላም ንዓኻ ይኹን” ምስ በሎ። ሙሴ ንመልኣከ ሞት “ሰላምታኻ ናባኻ ይመለስ” ኢልዎ ሞተ፡ መላእኽቲ ከኣ ቀበርዎ፡ ንመቓብሩ ዝረኣዮ ሰብ የለን፡
እዚ ሎሚ ሥርዓተ ቤተክርስትያን ዘሎ ኩሉ ካብ ሙሴ ዝተወስደ ሕጊ እዩ፡ ንኣብነት ታቦት። ኣልባሳት። ካህናት። ከበሮ። ጸናጽል... ወዘተ፡ ሙሴ ንነይታ ኣብ ሻብዓይ መጋረጃ ኮይኑ ሓሙሽተ ሚእትን ሰብዓን (570) ግዜ ተዛረቦ፡ ሙሴ ብዕለት 8 መስከረም ሐመልማል ምስ ነበልባል ዝረኣየሉ ዕድመ ወዲ 80 ዓመት ነበረ፡
ዕለት 8 ሚያዝያ ኣብ ደብረ ሲና ጽላት ተቐበለ፡ ሙሴ እዚ ኩሉ ሓሙሽተ ብሄረ ኦሪት ጽሒፉ። ንእስራኤላውያን ቅኑዕ መንገዲ መሪሑን ኣመሓዲሩን ኣብ መበል 120 ዕድሚኡ የካቲት ዕለት 17 ዓርቢ ሰዓት ተሸዓተ 9 ዓሪፉ፡ ብኢድ ሚካኤልን ገብርኤልን ከኣ ተቐብረ፡
ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኩልና ሕዝበ ክርስትያን ይኹን

- ሰላም ዕብል ሙሴ ርዕሰ ኣበው፡
- ዘኣዕረፈ ዮም በደብረ ናባው፡
- ድጎረ ርእየ ዕፄ ምሳሌ ደቂቁ ኣኃው፡
- ውስተ ልበ እብን በትእዛዘ ኣምላክ ሕያው፡
- በተፍዕሞ ኃዕር ልምሉም ወኣኮ ምጽልው፡
  - = ሰላም ዕብል ለዘሰገደ ወእስተብረከ፡
  - = መልዕልተ ዕጽ ነጺሮ በነደ እሳት መልኣከ፡
  - = መፈወሰ ቍስል ሙሴ ዘእም ኣርዌ ምድር ተነሰከ፡
  - = እስከ ተሰይመ በዲበ ፈርያን፡
  - = ስብሐት ቅዱሳን ኣድምዓ ወዝክረ ብሩክ፡

ምንጭ = ስንክሳር መስከረም 8
= ሚያዝያ 8
= ነሓሴ 13
= ዘዳ 34፡1-61
= ዘፀ 3፡2 ዕፀ ጳጦስ

## ኣሮን ወዲ እንበረም

ኣሮን ማለት ደብር። ደብረ እግዚኣብሔር ማለት እዩ፡ ኣሮን ንሙሴ ዓቢይ ሓዉ እዩ፡ ኣቡኦም ኣዲኦም ሓደ እዮም፡ ንኣሮን ዝሸሞ ሙሴ ሓዉ እዩ፡
ናይ ኣሮን በትሪ ዓምቢባ። ፈርያ ዝተረኽበት ለሚን እያ፡ እዚኣ ድማ ምሳሌ ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ወላዲተ ኣምላኽ እያ፡ ኣሮን ናይ ሙሴ ኣስተርጓሚ ነበረ፡ እዚ ሎሚ ሓደ ኣንባቢ ሓደ ተርጓሚ ዝግበር ካብዚ ዝተወስደ እዩ፡ ምስቶም 4 ደቂ ናብ ደብተራ ኣገልጋሊ ነበረ፡ እስራኤላውያን ድሕሪ ኣብ ግብጺ ምውጽኦም ሙሴ ኣብ ደብረ ሲና ምስ ጎይታ እናተዛረበ 40 መዓልቲን 40 ለይትን ብምድንጓዩ ተሃዊኾም ንኣሮን ጣያት ሰርሓልና ምስ በልዎ። ኣሮን እስራኤል በቃቕት እዮም ዒራ ኣይህቡንን እዮም ብምባል። "እቲ ካብ ግብጺ ሒዝኩሞ ዝመጻእኩም ወርቂ ሃቡኒ" ኣንተበሎም ሰይጣን ኣስሒትዎም ከይወዓሉ ከይሓደሩ ንዕለቱ ኣምጽእሉ፡ ኣብ ጉድጓድ ኣእትዩ እንተኣምከኾ 4 ዝመሓውሩ ምራኽ ኮይኑ ወጸ፡
ኣብዚ እዋን እዚ እግዚኣብሔር ንሙሴ "ሕዝብኻ በዲሎሙኒ። ቀልጢፍካ ውረድ" በሎ፡ ሙሴ እንተወረደ ጣያት ኣምሊኾም ክጻወቱን ክጭድሩን ጸንሕዎ፡ ሽዑ ሙሴ ተቐጢዑ እቲ ጽላት ካብ ኢዱ ምስ ወደቐ። እቲ ጽላት ይኹን እቲ ጣያት ኩሉ ተሰብረ፡ ሙሴ ካብቲ ዝደቐቐ ስባር ጣያት ኣስተዮም እሞ። እቲ ፍቕሪ ጣያት ዘለዎ ዘበለ ኣብ ገጹ ለምጺ ወጸ፡ በዚ ፈሊጡ ነቶም ለምጺ ዝወጸም። ፍቕሪ ጣያት ዝሓደሮም ብምቕታሉ እግዚኣብሔር ተሓጎሰ፡
ኣሮን መስከረም 8 ተወልደ፡ ሚያዝያ ዕለት ሓደ ኣብ ሐር ዝተባህለ ጎቦ ኣዕረፈ፡ እስራኤላውያን ንሰላሳን ሸሞንተን መዓልቲ በኽይሉ፡ ናቱ መተካእታ ከኣ ኣልኣዛር ወዱ ሊቀ ካህናት ተሾመ፡ ሙሴን ኣሮንን ናብታ ነቢታቶም ብተስፋ ዝተነግረቶም ምድሪ ርስቲ ከይኣተዉ እዮም ሞይቶም፡
ሰይቲ ካህን ኣሮን ኤልሳቤጥ ትበሃል፡ ዘጉ 20፡23

## ኢያሱ ወዲ ነዌ

ኢያሱ ማለት መድሃኒት ክኽውን ከሎ። ካብ ወገን ኤፍራም እዩ፡ ኣቡኡ ነዌ ይበሃል፡ ቀዳማይ ስሙ ኣውሴ ይበሃል ነበረ፡ ሙሴ ምስ ሞተ መተካእታኡ ኮይኑ ንእስራኤላውያን ዝመርሕ ዝነበረ ነቢይ እዩ፡ መስከረም ዕለት 4 ተወልደ፡
ኢያሱ ካብ ናይ ሙሴ ሓንቲ ሕጊ እኳ ኣይጠሓሰን፡ ከምዚ ብምኻኑ ከኣ ነቢይን። መስፍንን ካህንን ኮነ፡ እስራኤላውያን ርስት ክማቐሉ ከለዉ። ንዕኡ ዳኛ ገይሮም ኣብ ገባኦን ኤሎን ቆላ ጸሓይ ክትዓርብ ምስ በለት ብጸሎቱ ጠጠው ከም ትብል ገበረ፡ ከምኡ ጸሓይ ዘቕመ ነቢይ የለን፡ ነቢይ ኢያሱ ብድንግል ማርያም ዝተመሰለት ዘይትንቀሳቐስ ዓባይ ሓወልት ኣቕመ፡ እታ ሓወልቲ ከም ዘይትንቀሳቐስ ድንግል ማርያም ከኣ ብድንግልናኣ ኣይትጥርጠርን እያ፡
እስራኤላውያን ሒዙ ናብ ምድረ ርስቲ ክሳገር ከሎ ታቦተ ጽዮን ዝተሰከሙ ካህናት ኣቐዲሞም ክኽዱ ከለዉ። እቲ ባሕሪ ዮርዳኖስ ናብ ክልተ ተኸፊሉሎም ካህናት ብንቑጽ መሬት ሓለፉ፡ ኢያሱ ናይ ሙሴ ናይ ቀረባ ተሓጋዚኡ እዩ ነይሩ፡ ካብቶም ሙሴ ንስለያ ዝለኣኾም ካልኣይ ርእሱ ኮይኑ ቅኑዕ መልእኽቲ ዘምጽአ ነቢይ ኢያሱ እዩ፡
ነቲ ዝፈርስ ዘይመስል ዝነበረ ናይ ኢያሪኮ ዕርዲ "ንስኻ ናትና ዲኻ ናይ ጸላእትና፧"ኢሉ ንቅዱስ ሚካኤል ዝሓተቶ ነቢይ ኢያሱ እዩ፡ ኢያሱ ውን ከም ሙሴ "እታ ደው ኢልካላ ዘለኻ ቦታ ቅድስቲ ኢያ'ሞ። ኣሳእንካ ኣውጽእ" ተባህለ፡ 7 ግዜ ዑደት ፈጺሙ ብጸሎቱ ናይ ኢያሪኮ ዕርዲ ዘፈረሰ፡ እስራኤልውያን ጣያት እናኣምለኹ ሞኽ ምስ ኣበልዎ "ኣነን ቤተይን ንእግዚኣብሔር ኢና እነምልኽ። ንስኻትኩም ግና ድሌትኩም ኣምልኹ" በሎም፡
ሓደ ብስሙ ዝጽዋዕ ንሱ ዝጸሓፎ መጽሓፍ ኢያሱ ዝተባህለ ኣሎ፡ ኣብ ጊልጋል (ገልገላ) ሥርዓት ግዝረት ነቶም ምስኡ

ዝነበሩ ዘይተገዝሩ ዝፈጸመ፡ ንከተማ ዓይ ሒዙ ደምሰሰ፡ ርኅሩሕ ብምኽኑ ንሰብ ገባኦን እኳ እንተኣታለልዎ ቂም ኣይሓዘሎምን፡ ንኣሞራውያን ስዒሩ ሓሙሽተ (5) ነገሥታት ማረኸ፡ ኣብ ዘመን መስፍን ኢያሱ ሰብ ታሪኽ ዝኾኑ በዓል ካሌብ ነበሩ፡

ድሕሪ ሙሴ ነቲ ብሙሴ ዝተጀመረ ጉዕዞ ንእስራኤላውያን መሪሑ ምድረ ርስቲ ምእታው ኣብ መፈጸምታ ዘብጸሐ ኢያሱ እዩ፡ ነቢይ ኢያሱ ታሕሣሥ ዕለት 8 ባሕሪ ኢያሪኮ ታቦት ሒዙ ክገዓዝ ከሎ ኣብ ክልተ ተኸፍለሉ። ፀሓይ ውን ኣቓመ፡ ካብ ዝውለድ ኣብ መበል 110 ዕድሚኡ ሰኔ ዕለት 26 ኣዕረፈ፡ ታሪኹ ብሰፊሑ ኣብ መጽሓፈ ኢያሱን ስንክሳርን ተመዝጊቡ ኣሎ፡ እስራኤላውያን ኣብ ሃገር ኤፍሬም ኣብቲ ርስቱ ቀበርዎ፡

ኢያሱ 29 ናይ ኣሕዛብ ነገሥታት ብምቕታሉ ሕዝቢ ዓለም ንእስራኤል ይፈርህዎም ነበሩ፡ ኢያሱ ኣብ መበል 110 ዕድሚኡ ንሕዝቡ ብጽቡቕ ኣመሓዲሩ። ምድረ ርስት ኣእትዩ። ዕስራን ኣርባዕተን ብስሙ ዝጽዋዕ መጽሓፍ ጽሒፉ ብሰላም ዕለት 26 ሰኔ ኣዕረፈ፡

ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኩልና ህዝበ ክርስትያን ይኹን፡

- ሰላም ለኢያሱ ለሙሴ ዘተጸምደ፡
- እስከ ነሥኣ ጥቕ ካዕበተ መንፈሱ ክቡደ፡
- ኣድጎኖት ሕዝቡ ኣምላክ ኣመ በእዴሁ ፈቀደ፡
- ቀተለ በገባያን ሠራዊተ ነገሥት ፈድፋደ፡
- ወበእለ ጎዩ ኣዝነመ በረደ፡

ምንጭ = ኢያ 1።1-6 ኢያ 3።14-16 ኢያ 6።1-27 (ፍጻሜ)

= ስንክሳር 26 ሰኔ

## ነቢይ ሳሙኤል ወዲ ህልቃና

ሳሙኤል ማለት እግዚኣብሔር ሰምዓኒ ማለት ክኸውን ከሎ። ኣቡኡ ህልቃና። ኣዲኡ ሐና ይብሃሉ፡ ነቡኡ ክልተ ኣንስቲ ነበራኡ፡ ንሳተን ከኣ ሐናን ፍናናን ዝበሃላ ነበራ፡ እስራኤላውያን ብመስፍንነት ኣብ ዝግዝእሉ ዝነበሩ ዝተረኽበ ዓቢይ ነቢይ ኮይኑ ንጉሥ ሳኦል ወዲ ቂስ ዝቕብኡ እዩ፡

ሃገሩ ኣብ ናይ ኤፍሬም ክፍሊ ራማ ዝተባህለት ቦታ እዩ፡ ሐና ኣዲኡ ውላድ ብምስኣና ትሓዝንን ትጽልን ከም ዝነበረት ኣብ ቀዳማይ መጽሓፈ ሳሙኤል ተጸሒፉ ኣሎ፡ እዛ ኣደ እዚኣ ናብ ቤተ ክርስትያን ከይዳ “ዎ እግዚኣብሔር ሓደ ውላድ ሃበኒ፡ ጸሎተይ እንተስሚዕካኒ ድማ እቲ እትህበኒ ውላድ ምሉእ ዕድሚኡ ንቤትካ ከገልግል ክውፍዮ እየ” ኢላ ንብዓት ሓዊሳ ጸሎትን መብጽዓን ኣቕረበት፡ ካህን ኤሊ ውን እግዚኣብሔር ዝለመንክዮ ይስማዕኪ ኢሉ መረቕ፡ ዝለመንካዮ ዘይኸልእ። ዝነገርካዮ ዘይርስዕ እግዚኣብሔር ድማ ጸሎታን ብኽያታን ሰሚዑ ነዚ ቅዱስ ውላድ ሃባ፡ ንሳ ከኣ ከም መብጽዓኣ ንቤተክርስትያን ከገልግል ሃበቶ፡ ንሱ ከኣ ከም ቆልዓ ጸወታ ከይፈለጠ ኣብ ቤት እግዚኣብሔር ዓበየ፡

እግዚኣብሔር ብደቂ ኤሊ ስለ ዘይተሓጎሰ ምስቲ ሕፃን ሳሙኤል ክዛረብ ደለየ “ሳሙኤል” ኢሉ ከኣ ጸውዖ፡ ንሱ ከኣ “ባርያኻ ይሰምዕ ኣሎ’ሞ ተዛረብ” በለ፡ “ደቂ ኤሊ ዝገበርዎ በደል ንዘለዓለም ኣይዕረቕን እየ” ዝብል ድምጺ ውን ሰምዐ፡ ድሕሪ ካህን ኤሊ መተካእትኡ ኮይኑ ኣገልገለ፡ ንሳኦልን ዳዊትን ቀቢኡ ኣንገሠ፡ ማለት እስራኤልውያን ምድራዊ ንጉሥ ኣንግሠልና ኢሎም ኣብ ዝገደድዎ ንሳኦል ወዲ ቂስ ካብ ምሕላው ኣድጊ ኣምጺኡ ኣንገሠሎም፡ ይኹን እምበር ሳኦል ምስ ሳሙኤልን ሕዝብን ብዓቢኡ ከኣ ምስ እግዚኣብሔር ተጻልኡ፡ ካህን ሳሙኤል ከይፈተጠ ባዕሉ ብድፍረት መስዋእቲ ኣቕረበ። ናብ ጠንቂሊት ከደ። ንኣጋግ ማሪኹ ከይተኣዘዘ ሒዙ ናብ ቤቱ ኣምጽኡ፡ በዚ ኩሉ ምኽንያት ናቱ መተካእታ ዳዊት ወዲ እሴይ ካብ ምሕላው ኣባጊዕ ኣምጺኡ ኣንገሠሎም፡

ነቢይ ሳሙኤል ኣብ መሴፋ ዝተባህለ ዓዲ ዝተረኽበ ወዲ 3 ዓመት ከሎ ብእግዚኣብሔር ተጸውዐ፡ ደቂ ኤሊ ኣፍኒንን ፊንሐስን መኪርዎም ምስ ኣበይዎ ሓዚኑ ብጸሎቱ ብሕማቕ ጠፍኡ፡ ኣብ ዘመኑ ኣጋግን ሳኦልን ዝተንስእሉ ግዜ ኮይኑ ዳዊትን ሳኦልን ምስ ኢሎፍላውያን ኩናት ዝገጥምሉ ዝነበሩ ግዜ

እዩ፡ ነቢይ ሳሙኤል ንኢጋግ ከሓዲ ዝቐተሎ ንዳዊት ዝቐብየ 12 ጥቅምት እዩ ዝነበረ፡ ብዕለት 9 ሰኔ ስለ ህዝቡ ጸለየ፡
ነቢይ ሳሙኤል ፍጹም ፈታዊ እግዚኣብሔር ተባሂሉ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝተጠቐሰ ኣብ መበል 98 ዕድሚኡ ሰኔ ዕለት 12 ኣብ ውሽጢ ገዝኡ ሞተ። ኣብ ጎቦ ኣርሜቴን ተቐብረ፡ ኣዲኡ ጥቅምት ዕለት 6 ኣዕረፈት፡ብስሙ ዝጽውው ክልተ መጻሕፍቲ 1ይን 2ይን ሳሙኤል ኣለዉ፡ ዜና ሳሙኤል። ገድለ ሳሙኤል ዝተባህሉ መጽሓፍቲ'ውን ኣለዉ፡

## ነቢይ ናታን

ናታን ማለት እግዚኣብሔር ሂቡኒ ማለት እዩ፡ ሃገሩ ገለድ ኮይኑ። ዝነብሮ ዝነበረ ቦታ ከኣ ናይ ኤፍሬም እምባታት እዩ፡ ስለ ንጉሥ ዳዊትን ስለ ንጉሥ ሰሎሞንን ታሪኽ ጸሓፈ፡
ነቢይ ሳሙኤል ምስ ሞተ መተካእታኡ ኮይኑ ኣብ ዘመን ንጉሥ ዳዊት። ዳዊት ንኦርዮ ምስ ኣቐተሎ። ብኣብነት ገይሩ ነገሩ ንዳዊት ዘረድኣ ዓቢይ ነቢይ እዩ፡ ንክልተ ነገሥታት ኣቦንን ወድን ዳዊትን ሰሎሞንን ዝገሠፀን ዝመሃረን ዝመኸረን ኣቦ እዩ፡ ንዳዊት ንስኻ ቤት መቕደስ ኣይትሰርሕን ኢኻ። ወድኻ ሰሎሞን እዩ ዝሰርሓለይ ኢሉ ተነበየ፡ ንሰሎሞን ቀቢኡ ዘንገሠ። ድሒሩ ውን ብፍቓድ እግዚኣብሔር ነሐሴ ዕለት 5 ኣዕረፈ፡ ናቱ መተካእታ ነቢይ ጋድ ኮነ፡
ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኩልና ሕዝበ ክርስትያን ይኹን፡

## ኢዮብ ጻድቕ

ኢዮብ ማለት ኢዮብ ኣቡኡ ዛራ ይበሃል። ኣዲኡ ድማ ባሱራሳ ትበሃል፡ ኣብ ምድሪ ኣውስጢድ (ዑጽ) ኢዮብ ዝበሃል ንኣምላኽ ዝፈርህ ፍጹምን ቅኑዕን። ካብ ክፉእ ምግባር ዝረሐቐ ሰብ ነበረ፡ ንሱ ካብታ ቀዳመይቲ ሰበይቱ 7 ኣወዳትን 3 ኣዋልድን ወለደ፡ ጥሪቱ ድማ 7000 ኣባጊዕ። 3000 ኣግማል። 500 ጽምዲ ብዕራይ። 500 ወላዳት ኣእዱግ። ብዙሓት ግዙኣት ዘለዉዎ ካብ ሰብ ምብራቕ ዝሃብተመ ሰብ ነበረ፡
እቶም ደቂ ድማ በብተራ ኣብ ገዝኡም እናተዓዳደሙ ካብ ብዝሒ ፍቕሮም ዝተላዕለ ይምስሑ ነበሩ፡ ነተን 3 ኣሓቶም መታን ምሳታቶም ክበልዓን ክሰትያን ይጽውዕዎን ነበሩ፡
ጻድቕ ኢዮብ "እዞም ደቀይ ምናልባሽ በዲሎም ንኣምላኽ ከኣ ብልቦም ክሒዶም ከይኮኑ" ኢሉ ብቐጽሮም መዓልታዊ መስዋእቲ የዕርግ ነበረ፡ ሓደ መዓልቲ ሰይጣን መጺኡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ደው ምስ በለ እግዚኣብሔር "ካበይ መጺእካ" በሎ፡ ንሱ ድማ "ንምድሪ ክዞራን ክኾላን ጸኒሐ መጻኹ" በለ፡ እግዚኣብሔር ከኣ "ከም ኢዮብ ጌይሩ ንዓይ ዘምልኽ። ካብ ክፉእ ምግባር ዝርሕቕን ፍጹምን ቅኑዕን ሰብ ኣብ ምድሪ የልቦን" በሎ፡ ሰይጣን ከኣ "ኢዮብ ዘምልኽካ ብኽምኡ ኣይኮነን። ንስኻ ዘድልዮ ስለዝሃብካዮ ዝጎደሎ ስለዘየሎ እምበር። ጥሪቱን ንብረቱን ደቁን እንተዝውድኡ ከምኡ'ውን ኣብ ሰብነቱ ብሕማም እንተዝፍተን ምኽሓደካ ነይሩ" በሎ፡ እግዚኣብሔር ከኣ "በል ዝበልካዮ ኩሉ ይኽነልካ" ኢሉ ኣፍቀደሉ፡ እዚ ኩሉ ከኣ ኣብ ልዕሊ ኢዮብ ተፈጸመ፡ ይኹን እምበር ኢዮብ ካብ እምነቱ ምንቕ ኣይበለን፡ በዚ ከኣ ክሳብ መፈጸምታ ዓለም ናይ ትዕግስቲ ኣብነት ኮይኑ ብኹሉ ፍጥረት እናተነግረሉ ይነብር ኣሎ፡

## ኢዮብን ቀዳመይቲ ሰበይቱን

ሰይቲ ኢዮብ ንሰብኣያ እናለመነት ትምግቦ ነበረት፡ ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ሰይጣን ሰባት ከምዘይተኽቡላ ገበረ'ሞ ጥራይ ኢዳ ክትምለስ ከላ ፀሓይ በርቲዑዋ ኣብ ጽላል የዕሪፋ እንከላ። ሰይጣን መጺኡ "ንስኺ ሰይቲ ኢዮብ እንኳን ሰብ ፀሓይ ርእዩኪ ዘይፈልጥ'ሲ ከምዚ ኺንኪ።" በላ፡
"ኣንታ ወዲ ዛራ ንእግዚኣብሔር እሞ ከሓዶ። ሽዑ ክትመውት ኣነን ንስኻን ከኣ ካብ ስቓይ ነዕርፍ በልዮ" ኢሉ ኣማኸራ፡ ንሳ ገዛ ኣትያ ንሰብኣያ "ንስኻ ከይትሕግዘኒ ብቁስሊ ብሓሰኻ ተወሪስካ። ደቂ ከይሕግዙኒ ኩሎም ሞይቶም፡ ንስኻ ንእግዚኣብሔር ከምልኽ እናበልካ እዚ ኩሉ መከራ ኣምጺእካ፡ ሕጂ ከኣ ክሳብ መዓስ ኢኻ ዓቕሊ ትገብር።" "እስከ ማእዜኑ ትትኤገስ ለእግዚኣብሔር እምይእዜሰ ባርኮ ወሙት"፡ ኢዮብ ድማ "ኣንቲ ሓብተይ ከምዘን ዓሻታት ኣንስቲ'ዶ ኮንኪ" "ወይቤላ

ኢዮብ ኣንቲሰ ኮንኪ ከመ ኣንስት ኣብዳት" ምስ በላ ኣብዚ ኣተወት ኣይተባህለትን ጠፊኣ፡ ኣብዚ ግዚ'ዚ 3 ነገሥታት 1. በልዳዶስ ኣውኪናዊ (ሹሐ)። 2. ሳፍር ኣሞናዊ (ናዕማ)። 3. ኤልፋዝ ቴሜናዊ ኢዮብ ሽግር ረኺቡ ኣሎ ኢሎም መጺኦም የጸናንዕዎ ነበሩ፡

ኢዮብ ቅድም ካብ ምዕራባዊት ሰበይቱ 7 ኣወዳት 3 ኣዋልድ ዝወለዶም ምስ ሞቱ። እግዚኣብሔር ሰብ ተመሲሉ መጺኡ ዮርዳኖስ ኬድካ ተሓጸብ በሎ እሞ። ተሓጺቡ ሓውዩ ወዲ 30 ዓመት ኮነ፡ ሓንቲ ምሥራቃዊት ሰበይቲ የእትዩ 10 ውላድ ወለደ፡ (ኣንድምታ መጽሓፈ ቅዳሴ ቄርሎስ ገጽ 421-425 መጽሓፍ ኢዮብ ባዕሉ ዝጸሓፎ መጽሓፍ እዩ፡

ኢዮብ 140 ጸኒሑ ዕድመ ጸጊቡ ደቁን ደቂ ደቁን ርእዩ ብዕለት ፪ መስከረም ብሰላም ኣዕረፈ፡

## ነቢይ ኢልያስ ተስብያዊ

ኢልያስ ማለት ክልተ ትርጉም ኣለዎ፡

1. ንኣምላኽ ቀናኢ

2.ቅብዓ ዘይት፡ ተክለ ዘይት መዝ 52 ኣንሰ ከመ ዕፀ ዘይትሥሙር ዕንጨይቲ ኣውሊዕ ማለት ኮይኑ ኣቡኡ ኢየሰንዩ፡ ኣዲኡ ቶና ይብሃሉ፡ ርእሰ ነብያት ይብሎ፡ ታሕሣሥ ዕለት 1 ተወሊዱ፡ ኣብታ ዝተወልደላ ዕለት ኣርባዕተ መላእኽቲ ብእሳታዊ ብርሃን ክሽፍንዎ ኣቡኡ ርእዩ ነቶም ክህናት ነገሮም፡ ከም ሕጊ ሙሴ ኣብ ሻሙናይ መዓልቱ ስሙ ገብረኣምላኽ ኢሎም ሰመይዎ፡ ትርጉሙ ድማ ናይ ኣምላኽ ባርያ (ኣገልጋሊ) ማለት እዩ፡ኤል ናይ ጎይታ ሕቡእ ስሙ ኮይኑ ያስ ከኣ ናይ ኣቦሓጉኡ ስም ኢዩ፡

ነቢይ ኤልያስ ኣብ ሃገረ ገለኣድ ፍሉይ ስሙ ከኣ ተስቢ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ተወልደ፡ ኣብ ናቱ ዘመን ንጉሥ ኣክኣብን ንግሥት ኤልዛቤልን ግፍዐኛታት ብምንባሮም ንናቡቴ ብገዛእ መሬቱ እንተዘይወሲድናሉ ኢሎም ታሕሣሥ ዕለት 2 ክሳዱ ኣቑረጽዎ፡ ብገዛእ መሬቱን ርስቱን ኤልዛቤል ደሙ ኣኽላባት ከምዝልሕስዎ ገበረት፡ ነቢይ ኤልያስ ነሓሴ ዕለት 25 ናይ ናቡቴ ክሳድ ኣቑሪጽኪ ኣኽላባት ከምዘብላዕኪዮ ንደምኪ ከኣ ኣኽላባት ክልሕስዎ እዮም ብምባል ከይፈርሀ ተነበየላ፡ ከምታ ዝተነበየላ ከኣ ጎይታ ንመንእሰይ ንጉሥ ልኢኹ ንኤልዛቤል ነሓሴ ዕለት 25 ንሳ ኣብቲ ላዕላይ ከላ ኢዩ (የሁ) እስከ ብኣኡ ኣጽድፍዋ እዛ ርግምቲ በለ እሞ ኣጽደፍዋ፡ ክትጸድፍ ከላ ደማ ኣብቲ መንደቕ ፈሰሰ፡ ክሳዳ'ውን ብሰይፊ ቆረጻ፡ ጽንሕ ኢሉ በሉ ሽማስ ንግሥቲ ኢያ እሞ ኪዱ ቅበርዋ ኢሉ እንተለኣኸ ከምቲ ነቢይ ኤልያስ ዝተነበየላ ብጀካ ኢዳን እግራን ርእሳን ካልእ ሰብነታ ኣኽላባት በሊያምዋ ጸንሑ፡ 2ነገ 9።30-37

ንኣከኣብ እውን ቅድሚ ኤልዛቤል 10 ዓመት ብሕማቕ ሞት ማለት ኣብ ዓውደ ውግእ ሶርያውያን ሓደ ወተሃደር ኩናት ወርዊሩ ወግኡ፡ ኣከኣብ ተወጊኡ ኣብ ጸግዒ ሠረገላኡ ኮይኑ ይርኢ ነበረ፡ ደሙ ከኣ ኣብ ትሕቲ ሠረገላ ተዘወሐ፡ ንምሽቱ ሞተ። ንደሙ ከኣ ኣኽላባት በልዕዎ፡ ኣመናዝር ውን ብደሙ ተሓጽባ፡ 1ነገ 22።51-53። 2ነገ 10።1-11

ኤልያስ ቴስብያዊ ንኣከኣብ "በዘን ዝመጻ ቅሩብ ዓመታት ኣውሊ ኮነ ዝናም ከምዘይከውን በቲ ኣነ ዘገልግሎ ኣምላኽ እስራኤል እምሕል ኣለኽ" በሎ፡ ምኽንያቱ ነቢይ ኤልያስ ተመለሱ ኢሉ ምሂሩ ሕዝቢ እስራኤል ምስማዕ ስለዝኣበይዎ ንሰማይ 3 ዓመትን 6 ወርሕን ጸሎት ገይሩ ዝናም ከይትህብ ከልከላ፡

ንዕኡ ከኣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ "ወኮነ ቃለ እግዚኣብሔር ኀበ ኤልያስ ወይቤሎ ሑር እምዝየ መንገለ ጽባሕ ወተሐባዕ ውስተ ፈለገ፡ ኮራት ዘመንገለ ዮርዳኖስ ውስተ ማየ እምውእቱ ፈለግ ወእዜዞሙ ለቋዓት ከመ ይሴሰዩከ፡" ቃል እግዜኣብሔር ናብ ኤልያስ መጸ፡ ከምዚ ከኣ በሎ "ኬድካ ኣብ ከባቢ ዮርዳኖስ ዝርከብ ፈለግ ኮራት ኬድካ ተሓባእ። ማይ ከኣ ኣብኡ ስተ፡ ቀለብካ ውን ኳኻት ጌረ ክሰደልካ እየ" በሎ፡

ኣብዚ እዋን እዚ ቀዳማይ ዓመት ኣብ ቀረባ ዘለዉ ሓጽብታት። ኣብ ካልኣይ ዓመት ካብኡም ዝዓበዩ ቀላያት። ኣብ ሳልሳይ ዓመት ኩሎም ኣፍላጋትን ባሕርታትን ነጸፉ፡ በዚ ኩሉ ፍጡር ንሞት ተቓላጠፈ፡ ዝብላዕ ዝስተ ካብ ገጽ ምድሪ ጠፍኡ፡

እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብኳኻት ጌሩ ምግቡ ዝሃቦ ንኳኽ ርኹስ እዩ ኢሉ ፈንፊኑ ክገድፎ እዩ'ሞ ሽዑ ምስ ጠመየ ዝናም

ይዝነም ክብል እዩ ብዝብል ምኽንያት ነበረ፡ “ገድለ ኤልያስ ገጽ 22” ተመልከት፡
ኣብዚ ግዜ እዚ ቅዱስ ሚካኤል ሊቀ መላእክት ካብቶም ቅዱሳን መላእኽቲ ሓደ “ዘይሰእል ኩሎ ዕለተ ለእንስሳ ሣዕረ ወለሰብእ ተግባረ” ምእንቲ ደቂ ሰባትን እንስሳን ዝልምን ከምቲ ልማዱ ናብ ኣምላኽ ቀሪቡ “እዚ ጊዜ እዚ መፈጸምታ ዓለም እንተዘይኮይኑ። ስለምታይ ኩሉ ፍጡር ዝጠፍእ።” በሎ፡ ወይቤሎ እግዚኣብሔር ለሚካኤል ኢትሴእለኒ በእንተ ኤልያስ እንተ ኢተኣምር ግብሮ” “እግዚኣብሔር ብዛዕባ ኤልያስ ኣይተለምነኒ” በሎ፡ወበከመ ረሰይኩክ ለከ ሊቀ ላዕለ ሰማያውያን ከማሁ ረሰይኩዎ ለገብርየ ኤልያስ ሊቀ ላዕለ መስተኣግሣን። “ከምቲ ንዓኻ ናይ ሰማያውያን ሓለቓ ዝገበርኩኻ ንኤልያስ ኣገልጋልየይ’ውን ኣብ ልዕሊ ዓቃላት ሽይመዮ እየ፡” ወእንዘ ዘንተ ይትናገር ሚካኤል ምስለ እግዚኣብሔር መጽኡ መጋብተ ደመናት እለይጸውሩ ዝናመ። ሚካኤል ምስ ኣምላኽ እንተዛረበ ከሎ እቶም ደመናት ዝምግቡ መላእኽቲ መጹ ከምዚ ኢሎም ከኣ ልማኖኦም ኣቕረቡ “ኣብ ቅድሜኻ ንጹሕ ዝበሃል የለን። ኩሉ እኳ እንተበደለ እሞ ንኤልያስ አረዲእካ ዝናም ክዘንም ፍቕደልና፡ ጻድቃን’ውን ብወገኖም ኪዳን ኣብርሃም። ይስሃቕ። ያዕቆብ ዘክር ብምባል ለመንዎ፡
ኣምላኽ ንኤልያስ ኣዝዩ ስለዝፈትዎ ከምዚ ኢሉ መለሰሎም “ንሱ ምእንታይ ቀኒኡ ደኣ እምበር ንሰባት ከጥፍእ ኣይኮነን” በለ፡ “ወዓርገ በመዓት ውእቱ መልኣክ ዘሰክዮ ኤልያስ ነቢይ ቅድመ እግዚኣብሔር ወሀገሮ ኩሎ ዘይቤ ኤልያስ ነቢይ” እቲ መልኣኽ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቀሪቡ እቲ ኩሉ ምስ ኤልያስ ዝገበሮ ክርክር ነገሮ፡“ወነበረ ኤልያስ ነቢይ በመዓቱ ወኢገብዓ ኀበ ምሕረት ወከልያ እግዚኣብሔር ለያፍ ዘይፈኑ ሎቱ ሲሳዮ፡ ወሀደረ ኤልያስ እንዘ ኢይጥዕም ምንተኒ ኣሐደ ዕለተ ወደገመ ሰኑየ ዕለተ ወኢመጽ ኣያፍ። ወይቤ ኤልያስ በይነ ምንትኑ ኢያመጽእ ሊተ ሲሳየ”
ኤልያስ ካብ ቁጥዓኡ ናብ ምሕረት ምምላስ ምስ ኣበየ። እግዚኣብሔር ነቲ መግቢ ዘምጽኣሉ ዝነበረ ዑፍ ከልከሎ፡ ኤልያስ ከኣ ጸሙ ሓደረ፡ እንታይ ረኺብዎ እዩ ምግበይ ዘየምጽኣለይ ከኣ በለ፡“ወእምድኅረ ክነ ሰብዓተ ዕለተ ደንገፀ ወፈርሀ ወደክመ በረሐብ ወወረደ ኀበ ፈለግ ዘይሰቲ እምኔሁ ቀዲሙ ማየ”፡ ድሕሪ 7 መዓልቲ ብጥሜትን ጽምእን ተዳኺሙ ፈርሕ፡ ማይ ክሰቲ እውን ናብታ ቀደም ዝሰትየላ ዝነበረ ፈለግ እንተወረደ ነቒጻ ጸንሓቶ፡ እዚ ከኣ ጥበብ ኣምላኽ እዩ። ማለት እንተጠመየ። እንተጸምአስ ዝናም ይውረድ ንኽብል እዩ፡
ሽዑ ነቢይ ኤልያስ ምግበይ ክብል ናብ ኣምላኽ ጸለየ፡ ኣምላኽ ከኣ ናብ ሰራጵታ ናይ ሲዶና ናብ ሓንቲ ሰበይቲ ስማ ሚቲን ዝተባህለት ሰበይቲ ኣማቴ ከይዱ ክምገብ ኣዘዞ፡ ኤልያስ እንተኸደ እታ ሰበይቲ ዕንጨይቲ ክትኣሪ ጸንሓቶ። ጸዊዑ “ቀሩብ ዝስቲ ማይ እንዶ ኣምጽእለይ በጃኺ” በላ፡ ከተምጽእ ኢላ ምስ ተበገሰት ድማ ጸዊዑ ”ቁራስ እንጌራ ተማልእለይ” በላ፡ ብዘመን ኤልያስ’ዶ ማይ ኣሎ እዩ በለት፡ ንሳ ከኣ በጀካ ሸልገት ሓርጭ ኣብ ዑትሮይ። ሒደት ዘይቲ ኣብ መቕርሰሚቶ እንጌራ የብለየን” በለቶ፡ እኔኹ ከኣ ገለ ቁሩብ ዕንጨይቲ እኣሪ ኣሎኹ፡ ኣትየ ድማ ንዓይን ንወደይን ክስንክቶ እየ። ንዕኡ በሊዕና ክንመውት ኢና” በለቶ፡
ኤልያስ ከኣ “ ኣይትፍርሂ ክሳዕ እታ እግዚኣብሔር ንምድሪ ዝናም ዘዝንመላ መዓልቲ ሓርጭ ካብ ዕትሮ ኣይውዳእን፡ እቲ ዘይቲ’ውን ካብ መቕርሰሚቶ። ኣይጎድልን እዩ እሞ ኪዲ ከምቲ ዝበልክዮ ሰንክቲ። ቅድም ግና ካብኡ ንዓይ ንእሽቶ ቅጫ ሰንኪትኪ ኣምጽእለይ። ንድሕሪኡ ድማ ንዓኽን ንወድኽን ሰንክቲ” በላ፡ ከይዳ ድማ ከምቲ ዝበላ ገበረት፡ ንሳን ኤልያስን ስድራኣን ድማ ብዙሕ መዓልቲ በልዑ፡ ከምቲ ዝበሎ ድማ እቲ ሓርጭ ካብ ዕትሮ። እቲ ዘይቲ ድማ ካብ መቕርሰሚቶ ኣይጎደለን፡
ድሕሪ’ዚ ወዲ እታ መበለት ሕምም ኢሉ ቀልጢፉ ሞተ፡ ሽዑ እታ መበለት “ኣታ ናይ ኣምላኽ ሰብ ሓጢኣተይ ኣዘኪርካ’ዶ ወደይ ቀተልካዮ” በለቶ፡ ሽዑ ነቢይ ኤልያስ ናብ ኣምላኽ ጸልዩ ካብ ሞት ኣተንሥኡ፡ እቲ ዝተንሥኣ ሕፃን ዮናስ ነቢይ ንህገር ነነዌ ዝሰበኸ እዩ፡ ተንሢኡ ውን ንነቢይ ኤልያስ ሰዓቦ፡ እታ መበለት ከኣ ነቢይ ከምዝኾነ ኣመነት፡

እግዚአብሔር ድማ ንኤልያስ “ንአከአብ ኬድካ ተርአዮ እሞ። ኣነ ድማ ንምድሪ ዝናም ከዝንም እየ” በሎ፡ ኤልያስ ድማ ንኽርእዮ ከደ፡ እቲ ጥሜት ድማ ኣብ ሰማርያ ኣዝዩ በርትዐ፡ አከአብ ድማ ንአብድዩ አዛዝ ቤቱ ጸውዮ፡ አብድዩ ንኣምላኽ ዝፈርህ መንፈሳዊ ነበረ፡ በቲ ኤልዛቤል ንነብያት ዘጽነተትሉ ጊዜ አብድዩ ሚእቲ ነብያት ወሲዱ በብሓምሳ ጌሩ ኣብ በዓቲ ሐብኦም፡ እንጌራን ማይን ድማ ይምግቦም ነበረ፡ አከአብ ድማ ንአብድዩ ምናልባሽ ሳዕሪ እንተረኸብና እሞ ኣፍራስን ኣባቕልን ከነድሕን እንተኽአልናስ ኣብዚ ሃገር ናብ ዘሎ ኩሉ ዓይኒ ማያትን ናብ ኩሉ ርባታትን ንኺድ” በሎ፡ ሽዑ አከአብ ንበይኑ ብሓደ መንገዲ ከደ፡ አብድዩ ከኣ ንበይኑ ብሓደ መንገዲ ከደ፡ ንአብድዩ እንሆ እግዚአብሔር ስለዝፈትዎ ነቢይ ኤልያስ ተጓነፎ፡ አለልይዎ ድማ ብገጹ ፍግም ኢሉ ጎይታይ ኤልያስ ዲኻ፧” ኢሉ ሓተቶ፡

“ንሱ ድማ እወ ኣነ እየ። ንጎይታኻ ድማ ኤልያስ ኣብዚ ኣሎ ኢልካ ኪድ ንገሮ” በሎ፡ ከይዱ ከኣ ንአከአብ ነገሮ፡ አከአብ ከኣ ንኤልያስ ክረኽቦ ከደ፡ አከአብ ንኤልያስ ምስ ረኣዮ “እቲ ንእስራኤል መከራ እተምጽኣሎም ዘሎኻ ንስኻ ዲኻ፧” በሎ፡ ኤልያስ ድማ “ንስኻን ቤት ኣቦኻን ትእዛዛት እግዚአብሔር ብምሕዳግኩምን ንጣያት በዓል ብምግልጋልኩምን እምበር ኣነስ ንእስራኤል መከራ ኣየምጻእኩሎምን፡ ሕጂ ከኣ ንብዘሎ እስራኤልን ነቶም ኣብ መአዲ ኤልዛቤል ዝበልዑ አርባዕተ ሚእትን ሐምሳን ነቢያት በዓልን አርባዕተ ሚእቲ ነቢያት ጣያት አሸራን ልኢኽካ ናብ እምባ ቀርሜሎስ ኣክበለይ” በሎ፡

አክአብ ድማ ልኢኹ ንኹሎም ደቂ እስራኤልን ነቶም ሸሞንተ ሚእትን ሓምሳን ነቢያትን ጣያትን አከቦም፡ ኤልያስ ድማ ናብ ብዘሎ ቀረቡ “ክሳዕ መዓስ ኢኹም ናብ ክልቲኡ ወገን እትሕንክሱ። እግዚአብሔር እንተኾይኑ አምላኽ ደድሕሪኡ ሰዓቡ፡ በዓል እንተኾይኑ ኣምላኽ ከኣ ንዕኡ ሸዓቡ” በሎም፡

ሽዑ ኤልያስ ካብ ነብያት እግዚእብሔር “ኣነ በይነይ ተሪፈ ኣሎኹ፡ ነብያት በዓል ግና 450 እዮም፡ እምበኣር ክልተ ዝራብዕ ሃቡና እሞ ንሳቶም ሓደ ዝራብዕ ይሕረዩ፡ ቆራሪጸም ከኣ ኣብ ልዕሊ ዕንጨይቲ የንብርዎ፡ ሓዊ ግና ኣይእጎድሉ፡ ኣነ ድማ ነቲ ካልኣይ ዝራብዕ ኣሰናድየ ኣብ ልዕሊ ዕንጨይቲ ከንብሮ እየ ሓዊ ግና ኣይአጉደሉን እየ፡ ንሳቶም ብስም ጣያቶም ይማህለሉ። ኣነ ግና ብስም እግዚአብሔር አምላኽይ ክምህለል እየ፡ እቲ ብሓዊ ዝምልስ ኣምላኽ ከኣ ንሱ ኣምላኽ ይኹን” በሎም፡ እቶም ሕዝቢ ጽቡቕ ዘረባ እዩ ኢሎም ንሓሳባት ኤልያስ ተቐበልዎ’ሞ። ኤልያስ ድማ ነቶም ካህናት ጣያት “ንስኻትኩም ትበዝሑ እሞ ቅድም ንስኻትኩም ብስም ኣምላኽኩም ሰውኡ። ሓዊ ግን ኣይትእጎዱ” በሎም፡

ወሲዶም ከኣ “ኦ በዓል ምላኽ ሃበና” እናበሉ ካብ ንግሆ ጀሚሮም ክሳብ ፍርቂ መዓልቲ ብስም በዓል ተማህለሉ፡ መልሲ ግን ኣይረኽቡን፡ ጉህዮም ከኣ ከም ሥርዓቶም ደሞም ክሳዕ ዝፈስስ ንኣካላቶም ብሰይፍን ኩናትን ተፍተፍዎ፡

ሽዑ ነቢይ ኤልያስ ንኹሎም ህዝቢ “ናባይ ቅረቡ” በሎም፡ ብዘለዉ ድማ ናብኡ ቀረቡ፡ ንሱ ከኣ ነቲ ፈረሱ ዝነበረ መስዋእቲ እግዚኣብሔር ሐደሶ፡ ከም ቁጽሪ ነገዳት እስራኤል 12 እምኒ ወሰደ፡ 14 ሊትሮ ማይ ዝሕዝ ጉድጓድ ድማ ኰዓተ፡ ነቲ ዕንጨይቲ ከኣ ጸፍጸፎ፡ ነቲ ዝራብዕ አወራረዱ ድማ ኣብ ልዕሊ’ቲ ዕንጨይቲ ኣንበሮ፡ ሽዑ። ኣርባዕተ ዕትሮ ማይ መሊእኩም ኣብ ልዕሊ እቲ ዝሐርር መስዋእትን እብ ልዕሊ እቲ ዕንጨይትን ኣፍስስሉ” በሎም፡ ሳልሳይ ውን ኣፍስስሉ በሎም፡ እቲ ማይ ኣብ ዙርያ እቲ መሰውዒ ወሐዘ፡ እቲ ጉድጓድ ድማ ማይ መልኣ፡

ኤልያስ ድማ እዞም ሕዝቢ ርእዮም ምእንቲ ኪኣምኑ ምላሽ ሃበኒ ኢሉ ናብ እግዚኣብሔር ምስ ጸለየ። እሳት ካብ ሰማይ ወሪዳ ነቲ መስዋእቲ ብልዒ በልዓቶ ማለት ነቲ መስዋእቲ። ነቲ ዕንጨይቲ። ነቲ እምኒ። ነቲ ሓመድ። ነቲ ማይ ንኹሉ ከም ዘየሎ ገበሮ፡ ብዘለዉ እቶም ሕዝቢ ርእዮም ኣሚኖም ብገጾም ሰገዱ፡

ነቢይ ኤልያስ ነዞም 850 ነብያት ጣያት ኣብ ሩባ ቂሶን ኣውረዱ ኣቕተሎም፡

ኤልያስ ከኣ ንአከአብ “ደሃይ ብርቱዕ ዝናም ይስማዕ ኣሎ እሞ ደይብካ ብላዕን ስተን” በሎ፡ ኤልያስ ናብ ርእሲ እምባ ቀርሜሎስ ደይቡ። ናብ ምድሪ ሰጊዱ ከኣ ገጹ ኣብ መንጎ ክልተ ብርኩ

ጌሩ ጸሎት ጀመረ፡ ንወዲ መዝሙሩ “ናብ ባሕሪ ኣቢልካ ኣማዕዱ” በሎ፡ “ኣማዕድዩ ከኣ ገለ እኳ የለን” በሎ፡ ኤልያስ “ኪድ እስከ ርኢ” እናበለ ሸውዓተ ጊዜ መላለሶ፡ ኣብታ ሻብዓይቲ ጊዜ “ክንዲ ኢድ ሰብ ዝምንኣሳ ደመና ካብ ባሕሪ ትለዓል ኣላ” በሎ፡ በል ንኣክኣብ “ዝናም ከይዓግተካ ሠረገላኻ ጽዒንካ ውረድ ኢልካ ንገሮ” በሎ፡ ብኡ ብኡ እቲ ሰማይ ብደመናን ብመሾምቦባን ጸልመተ፡ ብርቱዕ ዝናም ከኣ ኮነ፡ ኣከኣብ ብሠረገላ ኤልያስ ከኣ ብእግሩ ከኣ ኤልያስ ቀዲሙ ኣተወ፡
ኤልዛቤል ካህናታ ኤልያስ ከም ዘወድኦም ፈሊጣ ንኤልያስ ከም ሓደ ካባታቶም እንተዘይገረካ ኢላ ብጣየታ መሐለት፡ ኤልያስ ንገሊያኡ ኣብኡ ገዲፍዎ ሕይወቱ ከውጽእ ናብ _____ ሃደመ፡ መንገዲ ሓደ መዓልቲ ምስ ከደ ኣብ ጽላል ሓንቲ ክሊዓው መጺኡ ኮፍ በለ፡ ክመውት ድማ ተመነየ፡ “ኦ እግዚኣብሔር ኣነስ ካብ ኣቦታተይ ኣይበልጽን እየ እሞ ሕጂ ይኣኽለኒ ንነፍሰይ ውሰዳ” ኢሉ ጸለየ፡
እንሆ ድማ መልኣኽ ነቒኒቑ “ተንስእ እሞ ብላዕ” በሎ፡ ቁሊሕ እንተበለ ከኣ እንሆ ዘተሰንከተ ቅጫን ሳርማ ማይን ኣብ ትርኣሱ ነበረ፡ በሊዑ ሰትዩ ድማ በጥ በለ፡ እቲ መልኣኽ መሊሱ ካልኣይ ነቒኒቑ ነዊሕ መንገዲ ኣሎካ’ሞ ተንሢእካ ብላዕ” በሎ፡ ተንሢኡ ድማ በልዐን ሰተየን እሞ። ብሓይሊ እቲ ብልዒ እቲ ክሳዕ እምባ ሲና ኣርብዓ መዓልትን ኣርብዓ ለይትን ከደ፡
ነቢይ ኤልያስ ንነቢይ ኤልሳዕ 12 ጽምዲ ኣብዑር ኣጽሚዱ እናሓረሰ ከሎ ባርኖስ ኣቑመጠሉ እሞ። 2 ኣብዑር ንመስዋእቲ ሓሪዱ ብዘይጥርጥር ሰዓቦ፡

## ንኤልሳዕ ነቢይ። ዕርገት ነቢይ ኤልያስ ራጉኤል መልኣኽ ነገሮ

ነቢይ ኤልያስን ኤልሳዕን ካብ ጊልጋል ተበገሱ፡ ኤልያስ ከኣ ንኤልሳዕ “እግዚኣብሔር ናብ ቤትኤል ክኸይድ ልኢኹኒ እዩ እሞ ኣብዚ ጽናሕ” በሎ፡
ኤልሳዕ ግና “ካብ እግርኻ ኣይተርፍን እየ” በሎ፡ እቶም ኣብ ቤትኤል ዝነበሩ ማኅበር ነብያት ከኣ ናብ ኤልሳዕ መጺኦም “እግዚኣብሔር ንኤልያስ ሎሚ ከም ዝወስዶ’ዶ ፈሊጥካ ኣሎኻ?” በልዎ፡ “እወ ፈልጠ ኣሎኹ። ስቕ ደኣ በሉ” በሎም፡ ንሳቶም ክልቲኦም ካብ ማሕበር ነብያት ሓምሳ ዝኾኑ እናርኣይዎም። ሽዑ ኢልያስ ነታ ባርኖሱ ጠቕሊሉ ነቲ ባሕሪ ወቕየ እሞ ናብ ክልተ ከኣ ተኸፍለ። ክልቲኦም ድማ ብንቑጽ ሓለፉ፡ ምስ ተሳገሩ ድማ ኤልያስ ንኤልሳዕ “ገና ንሰማይ ከይዓረግኩ ከለኹ። ካባይ እትደልዮ ለምን” በሎ፡ ኤልሳዕ ካብቲ ናትካ መንፈስ ዕጽፊ ብጽሒት ጌርካ ሃበኒ” በሎ፡ ኤልያስ ከኣ “ብርቱዕ ነገር ለመንካ። ካባኻ ክውሰድ ከለኹ እንተረኣኻኒ ግና ከም’ቲ ዝለመንካኒ ክኾነልካ እዩ” በሎ፡
እናተዛረቡ ክኸዱ ከለዉ ከኣ እንሆ ኣፍራስ እሳት ዝተሳሕበ ሠረገላ እሳትን ኣብ ሞንጎኦም መጺኡ ንኽልቲኦም ፈላለዮም፡ ኤልያስ ድማ ብህቦብላ ንፋስ ናብ ሰማይ ዓረገ፡ ኤልሳዕ ነዚ ርእዩ “ኣቦይ ኣቦይ ሓያል ሓላዊ እስራኤል” ኢሉ ጨደረ፡ መሊሱ ድማ ኣይረኣዮን፡ ክዳኑ ውን ቀደደ፡ ቡቲ ካብ ኤልያስ ዝወረደን ዝሐደገሉን ጌይሩ ንፈለግ ዮርዳኖስ ወቒዑ ክልተ ጊዜ ተሳገረ፡ ክልተ ምዉታት ከኣ ኣተንሥኡ፡
ኣካዝያስ ወዱ ኣክኣብ ሓሚሙ። ንጣያት ክሓትሉ ልኢኹ ምስ ኤልያስ ኣብ መንገዲ ተራኸቡ’ሞ “ንጎይታኹም ኣብ ዘለኻያ ኣይትትንሥእን ኢኻ፡ ንጣያት ሰለዝሓተትካ ክትመውት ኢኻ” ኢሉ ከይፈርሀ ለኣኸሉ፡ ሽዑ ኣካዝያስ 3 ነናይ ሓምሳ ሓለቓታት ልኢኹሉ፡ ነቶም ክልተ ብትዕቢት ዝመጹ ካብ ሰማይ ሓዊ ኣውረዱ ወድኦም፡ ነቲ ሳልሳይ ኣብድዩ ግና ሕራይ ኢሉ ምስኡ ከደ እሞ። ነቲ ንጉሥ ስለቲ ክፉእ ግብሩ ገሠያ፡ ካብ ሞት ግን ዓዲ ኣይወዓለን፡

እቶም ሓምሳ ደቂ ነብያት ኤልያስ ወዲቑ ተሪፉ ከይከውን ኢሎም ንሰለስተ መዓልቲ ደልዮም ሰኣንዎ፡

- ነቢይ ኤልያስ ካብ ፍጥረት ዓለም ኣብ መበል 4,598 ዓመት ቅድሚ ልደት ጎይታ 902 ንሰማይ ዓረገ፡
- ነቢይ ኤልያስ ዕለት 6 ጥሪ ዝዓረገሉ ዕለት እዩ፡
- ዕለት 1 ታሕሣሥ ዝተወልደሉን ኣብ ቅድሚ ኣክኣብ ዝቐመሉን ካብ ሰማይ ሓዊ ኣውሪዱ ወተሃደራት ዘቃጸለሉ ዕለት እዩ፡

- ❖ ናይ ነቢይ ኤልያስ ክዳን ካብ እንስሳ ዝተሰርሐ ጸጉሪ ነበረ፡
- ❖ ብስሙ ኣብ ዓዲ ኮሎም ሃገርና ታቦት ተቐሪጹ ገባሬ ተኣምራት ጸበል ኣለዎ፡

ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኩልና ሕዝበ ክርስትያን ይኹን ኣሜን፡

- ሰላም ለከ ዓራጌ ሰማያት ለአዕርፎ፡
- ሕይወተ ዓለም በተናግፎ ፡
- በእንተ ጌጋዩ ምንንት ለአክአብ እንዘ ትዘለፎ፡
- እስመ ነሥትከ ምህራማተ ወቀጥቀጥከ ግልፎ፡
- በስብሐቲከ ኤልያስ ተሰባሕከ እፎ፡

ምንጪ = ገድለ ኤልያስ
= ስንክሳር ሓደ ታሕሣሥን 6 ጥርን ተመልከት
= የቅዱሳን ታሪክ 1994 ዓ.ም 5ይ መጽሓፍ
= ድርሳነ ኤልያስ። ስንክሳር ፮ ጥር። ስንክሳር 1 ታሕሳስ። 1ነገ 17።1-ፍጻሜ። 1ነገ 18።1-ፍጻሜ። 1ነገ 19።1-ፍጻሜ። 1ነገ 21።1-28 ናቡቴ። 2ነገ 2።1-23። ሲራ 48።1-16። ያዕ 5።15-17። ገድለ ኣባ ዮሐኒ=መጽሐፈ እስክንድር

## ነቢይ ኤልሳዕ ወዲ ዮሳፍጥ

ኤልሳዕ ማለት መድኃኒ ንጉሥ። ሓላዊ ሃገር ማለት ኮይኑ ኣቡኡ ዮሳፍጥ ይበሃል፡ ሃገሩ ሰማርያ ዓሌቱ ካብ ነገደ ይሳኮር እዩ፡ ጥቅምት ዕለት 20 ተወልደ፡ ነቢይ ኤልሳዕ ብጣዕሚ ንፉዕ ዝኾነ ሓረስታይ ብምንባሩ 12 ጽምዲ ማለት 24 ብዕራይ ኣጽሚዱ እናሓረሰ ሃንደበት ነቢይ ኤልያስ መጺኡ ተኸተለኒ ኢሉ ባርናስ ኣውደቐሉ፡ ነቢይ ኤልሳዕ ከይተወላወለ ነቶም ኣብውር ንሓረስቶት ሂቡ። ሓደ ጽምዲ ማለት ክልተ ብዕራይ ሓሪዱ ነቶም ሕዝቢ ኣብሊዑ ንነቢይ ኤልያስ ሰዓቡ፡ 1ነገ 19።19-21

ንሓደ ሕማቕ ማይ ጥንሲ ዝሰድድ ዝነበረ ኣብ ሓደ ዕትሮ ጨው ጌርኩም ኣምጽኡለይ ኢሉ ጸልዩ ኣብኡ ደርብዩ ኣጥዓዮ፡ ክሳብ ሎሚ ከኣ እቲ ሰብ ዝቐትልን ጥንሲ ዝሰድድን ዝነበረ ጥዕዩ ኣሎ፡ 2ነገ 2።19-22 ሰኔ ዕለት 2 ካብ ኢያሪኮ ናብ ቤቴል ክንዓዝ ከሎ ገለ ዘይተቐጽው 42 ሕፃናት “ኣታ በራሕ ኪድ ውጻእ” ኢሎም ምስ ኣላገጽሉ ረጊሙ ኽልተ ኣንስትዮ ድቢ ሰባቢረን ቀተላኦም፡ ነቢይ ኤልያስ ሓደ ምዉት ከተንሥእ ከሎ። ነቢይ ኤልሳዕ ከኣ በቲ ዝሓተቶ ምረቓ ክልተ ምዉታት ማለት ሓደ ቅድሚ ሞቱ ሓደ ድሕሪ ሞቱ ኣተንሥኡ፡ 2ነገ 4።8-37 ቀዳማይ ምዉት ከም ዘተንሥኡ። 2ነገ 13።20-21 ካልኣይ ምዉት ከምዘተንሥኡ፡

ነቢይ ኤልሳዕ ዝጠሐለ ምሳር ጸምበለል ኣቢሉ ቅራፍ ዕንጨይት ከኣ ኣጥሐለ 2ነገ 6።1-23 ነቢይ ኤልሳዕ መስከረም ዕለት 20 ባሕሪ ዮርዳኖስ ከፈለ፡ኣብታ ዝተወልደላ መዓልቲ 12 ቆፎ ንህቢ መጺኡም ኣብ ቤቶም ዓሰሉ፡ እዚ ሕፃን እዚ ገለ ምኽንያት ኣለዎ ኢሎም ይከታተልዎ ነበሩ፡ኤልሳዕ ቅድም ብበትሩ ብዙሓት ሕሙማት ኣሕወየ፡ ምስ ሞተ ከኣ ዓፅሙ ብዙሓት ሕሙማት እናፈወሰ ገባሬ መንክራት ክሳዕ ዝበሃል ኮነ፡

ነቢይ ኤልሳዕ ዕለት 20 ሰኔ ኣዕረፈ፡ 2ነገ 13።14ገድለ ኤልሳዕ ወይ ዜና ኤልሳዕ ተመልከት ስንክሳር ዕለት 20 ጥቅምት ተመልከት

ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኩልና ሕዝበ ክርስትያን ይኹን፡

- ሰላም ለኤልሳዕ ዘእምቀዲሙ ተሠይመ፡
- መድኅነ ወዓቃቤ በከመ ትንቢት ቀደመ፡
- ህየንተ ኤልያስ ነቢይ ኣመ ለእስራኤል ቆመ፡
- ፈወሰ በጣዕመ ጼው ማየ ሕሙመ፡
- ወበቅራፈ ዕፅ ኣውጽኣ ማኅፄ ሥጡመ፡

ምንጭ = ስንክሳር ሰኔ 20
የቅዱሳን ታሪክ (1994) ዓ.ም 5ይ መጽሓፍ

## ነቢይ ኢሳይያስ ወዲ ኣሞጽ

ኢሳይያስ ማለት መድኃኒት። እግዚኣብሔር። ደሐን ማለት እዩ፡ ኣቡኡ ኣሞጽ ኣዲኡ ከኣ ሶፍያ ይበሃሉ፡ ክልተ ስም ኣለዎ፡ ናይ ትውልዲ ዘርኡ ካብ ነገደ ስምዖን እዩ፡

ነቢይ ኢሳይያስ ግንቦት 28 ሰሉስ መዓልቲ ተወልደ፡ እዚ ነቢይ እዚ ካብቶም ኣርባዕተ ዓበይቲ ነብያት ሓደን ቀንድን እዩ፡ ግንቦት 28 ልደቱ ጥራይ ዘይኮነስ ምሥጢረ ትንቢት ስለ ድንግል ማርያም ዝተነብየሉ ዕለት እዩ፡ ነቢይ ኢሳይያስ ዝነበረሉ ዘመን ንጉሥ ያዝያን፡ ኢዮኣታም፡ ኣካዝን ሕዝቅያስን ካብ740 — 888 ዓመተ ዓለም ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ክኸውን ከሎ። ነቲ ትንቢት ዝተናገሮ ግን ኣብ ቅድሚ ኣካዝን ሕዝቅያስን እዩ፡ ናይ ቤተ መንግሥቲ ኣካዝ ኣማኻሪ ከይኑ ነይሩ፡ ኣቡኡ ኣሞጽ እንተተባህለ ነቲ ነቢይ ዝኾነ ኣሞጽ ሞኽሱ እዩ፡

ንትንቢት ዝተጸውዐ ያዝያን ምስ ሞተ እዩ፡ ንያዝያን ገሥያ እንተተባህለ ዓርኩ ስለዝኾነ እምቢ በለ፡ በዚ ምኽንያት ኣብ ገጹ ለምጺ ወጸ፡ ሽዑ ጐይታ ተገሊጹ "እቲ እትፈትዎ ዓርክኻ ያዝያን ሞይቱ እዩ። መንግሥቱ'ውን ተሳዒሩ እዩ፡ ሕልፈት። ስዕረት ዘይብለይ ኣነ እየ" በሎ። ኢሳይያስ ደንገጸ፡

ጎይታ "ናብዚ ሕዝቢ እዚ መን ክልእኽ እየ" በለ፡ ኢሳይያስ ከኣ "ኣነ ምኽድኩ ነይረ ኣብ ኣፈይ ደኣ ለምጺ ወጺኡኒ እምበር" ዝበለሉ ዕለት 3 ጥር መልኣኽ ቅ/ ሱራፍኤል ብጉጤት ገይሩ ናይ ሥግኡን ደሙን ኣብነት ዝኾነ ካብ ሰማይ ኣምጺኡ ኣፋ ቀብኡ፡ እቲ ልምጺ ጠፊኡ ሃብተ ትንቢት ተገልጸሉ፡

ነቢይ ሕዝቅያስ ምስ ሓመመ 15 ዓመት ከም ዝውሰኾ ንነቢይ ኢሳይያስ ተገልጸሉ፡ ንድሕሪኡ ውን ደቂ ሕዝቅያስ ንጉሥ ተማሪኾም ናብ ባቢሎን ክወርዱ እዮም ኢሉ ትንቢት ተናገረ፡ መጽሓፈ ኢሳይያስን መጽሓፈ ነገሥትን ባዕሉ ጸሓፈ፡

እዚ ነቢይ እዚ ቅድስት ድንግል ማርያም ንጎይታ ብሕቱም ድንግልና ከም ትወልዶ። ፍጹም ድንግልን ፍጹም ወላዲተ ኣምላኽ ከምዝኾነትን ኣስፊሑ ጸሓፈ፡ ከምኡ'ውን ስለቲ ጎይታ ዝፆሮ ጽዋትወ መከራ ናይ መስቀል መከራን መግረፍቱን ኣስፊሑ ጸሓፈ፡ እዚ ነቢይ እዚ እግዚኣብሔር ንዓመጽቲ ከምዝቐጽዕ ኣብ ልዕሊ ኣሕዛብ ክፈርድ እዩ፡ ንኹሉ ከኣ ከሰንፍ እዩ፡ ከምኡ ስለ'ቲ ቅኑዕ ጸምን ኢየሩሳሌምን ዝምልከት ጸሓፈ፡ ኢሳ 58-59-53 ዘለዉ ምዕራፋት ተመልከት፡

እዚ ነቢይ እዚ ኣብ መወዳእታ ብምናሴ ወዲ ሕዝቅያስ ብመጋዝ ተመጊዙ መስከረም ዕለት 6 ኣዕረፈ፡ እቲ ዝበዝሐን ዝሰፍሐን ግሉጽ ዝኾነን 66 ምዕራፋት ዝጸሓፈ ነቢይ እዩ፡

ንጉሥ ምናሴ ወዲ ሕዝቅያስ ኣዝዩ ፍቕሪ ጣያት ብምንባሩ ክሳብ ወዱ ንጣያት ብምስውኡ ነቢይ ኢሳይያስ ከይፈርሀ ስለዝገሠየ ብናይ ዕንጨይቲ መጋዝ ኣብ ክልተ ተርቲሩ ቀተሎ፡

ነቢይ ኢሳይያስ ን70 ዓመት ዝኣክል ተነበየ፡

- ሰላም ለኢሳይያስ ነቢየ ሥርዓቱ ለእብኖዲ፡
- ቅቡዓ ከናፍር ወአፍ እምፍሕመ ምስዋዕ ነዳዲ፡
- እንዘ ይብል ኣስምዐ በእንተ ክርስቶስ የማነ ወላዲ፡
- ይፀነስ በከርሠ ድንግል ወይትወለድ ዓዲ፡
- ውስተ ግበ ዓርቄ ሕፃን እዴሁ ዘይወዲ፡

ምንጭ - ስንክሳር 6 መስከረም

- (ገድለ ኤልያስ ገጽ 115)

## ነቢይ ኤርምያስ ወዲ ሕልቅያስ (ኬልቅዩ)

ኤርምያስ ማለት

ኣቡኡ ሕልቅያስ ኣዲኡ ማርያ ይበሃሉ፡ ሃገሩ ይሁዳ ፍሉይ ስማ ከኣ ኣናቶት ትበሃል፡ ነቢይ ዝነበረሉ እዋን ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ 700 ዓመት ከባቢ እዩ፡

እስራኤላውያን ብሓጢኣቶም ንእግዚኣዝሔር ስለዝበደሉ ከቢድ ጥፍኣት ከምዝበጽሐም ኣጠንቀቐም፡ ገና ኣብ ማኅፀን ኣዲኡ ከሎ ዝተመርጸ ነቢይ እዩ ። ኤር 1።4፡ ንሱ ዝተነበየሉ ኩሉ ክፍጸመሉ ምስ ረኣየ ኣዝዩ መንፈሳዊ ሓጎስ ተሰምየ፡ ኣብ ዘመኑ ናይ ባቢሎን ንጉሥ ናቡከደነጾር ኢየሩሳሌም ሒዝዋ ንኹተማኣን ቤት መቕደሳን ከፍርስ ከሎ ዝተረኽበ ናይ ኣይሁድ ንጉሥ ኣይሁድን ነቢይ ኤርምያስን ኩሉ ሕዝብን ብሓባር ተማሪኾም ናብ ባቢሎን ተወሲዶም፡ ነቢይ ኤርምያስ ብዝጸለዮ ንባቢሎን ኣድሓና ኤር 22።5፡

ቅዱስ ሚካኤል ሚያዝያ ዕለት 12 እስራኤላውያን ካብ ባቢሎን ከምዝምለሱ ካብ እግዚኣብሔር ተላኢኹ ንኤርምያስ ነገሮ፡ ወዲ

ኣሞጽ ንጉሥ ኤዮስያስ ኣብ ይሁዳ ምስ ነገሠ ኣብ 13 ዓመቱ ዝተንሥአ ነቢይ እዩ፡ ደሓር ውን ወዲ ኢዮስያስ ሴዴቅያስ ነጊሡ ክሳብ 11 ዓመቱ ነቢይ ኤርምያስ ነቶም ሕዝቢ ብዙሕ ጊዜ ንኽምህር እግዚኣብሔር ቀስቀሶ፡
ኣብዚ ዓመት እዚ እስራኤላውያን ኣብ ሓሙሻይ ወርሒ ሕዝቢ ተማሪኾም ክውሰዱ ከለዉ ዝንበዮ ዝነበረ ትንቢት መብዛሕትኡ ብቋንቋ እብራይስጢ ምእንቲ ሕዝቡ ዝነሃየ፡ ኢየሩሳሌም ብጸላኢ ከም ዝተኸበት ዝተነገረ። ንኢየሩሳሌም ዝወረደ በደል። ከምኡ'ውን እቶም ሕዝቢ ንእግዚኣብሔር ብዘይምእዛዞም ስለ ጣዖት ምምላኾም፡ ካህናት እቲ ግቡእ ዝኾነ ካብ ዕንጣጢዕ ዝተሰርሐ ክዳን ክኽደኑ ከምዘለዎም። ስለ እቲ ኣሰቃቒ ዝወርድ ድርቂ። ጥሜት። ስለ ክብሪ ሰንበት፡ ስለ ስራሕቲ ካይላ (ዕትሮ) ሰለ እቲ ዝመጽእ ተስፋ። ምድሪ ብኣመንዝራታት ስለምምላእ። ስለ ፍሬ በለስ ዝተናገረ ነቢይ ክኸውን እንከሎ። ሴዴቅያስ ዝተባህለ ከሓዲ ንጉሥ ኣብ ዓይኒ ምድርን (ሽቓቕ) ኣብ ናይ ማይ ጉድጓድን ደርብይዎ ከሎ አቤሜሌክ ዝተባህለ ናይ ቤተ መንግሥቲ ኣገልጋሊ ስለዝነበረ ናብ ጉድጓድ ከምዘእተዉዎ ሰሚዑ ብጥሜት ከይመውት ኢሉ ካብ ንጉሥ ፍቓድ ሓቲቱ ሠለስተ ሰባት ወሲዱ ከይሞተ ኣውጽኡ፡ እቶም ከሓድቲ ዝኾኑ ሕዝቢ ከይሞተ ብምውጽኡ ጉህዮም ኣብ ቤት መንግሥቲ ዓጸዉዎ፡ እቲ ንጉሥ ግን ብምሥጢር መሓለሉ፡
ንነቢይ ኤርምይስ ብዳርባ እምኒ ክወቕዕዎ ከለዉ ካብዚ ቅትለት እዚ ሰውረኒ ኢሉ ምስ ጸለየ። እቶም ደርበይቲ ናብኡ ዝድርብዩ ዘለዉ መሲልዎም ናብ ጽላሎቱ ደርበዩ፡ እቲ ዝደርበይዎ እምኒ ተኣኪቡ ናብቲ እኩብ ይድርብዩ ነበሩ፡ ነቢይ ኤርምያስ ቡቲ ዝደርበይዎ እምኒ ተኸቢቡ ጋሪዱ ኣድሓኖ፡

ድሓር ግን ነቢይ ኤርምያስ ብፍቓዱ ወጺኤ መከራ ክቕበል ኣሎኒ ብምባል ወጺኡ ክቕትልዎ ፍቓዱ ኮነ፡ ብዳርባ እምኒ ተጨፍጪፉ ዕለት 5 ግንቦት ኣዕረፈ፡ (ስንክሳር ግን ብሰላም ኣብ ሃገረ እስክንድርያ ይብል)፡ ነቢይ ኤርምያስ ዝጸሓፎ 52 ምዕራፋት ዝሓዘ መጽሓፉ ባዕሉ ዝጸሓፎ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ተረፈ ኤርምያስ። ዜና ኤርምያስ ዝብል ብዛዕብኡ ዝነግር መጻሕፍቲ'ውን ኣለዎ፡

ጸሎቱ በረኸቱን ምስ ኩልና ሕዝበ ክርስትያን ይኹን፡

- ሰላም ለኤርምያስ እምነቢያት ዓቢያን፡
- ወልደ ኬልቅዩ ካህን፡
- ዕረፍተ ብርት ተሰምየ ወዓምደ ሐፂን፡
- እስመ ተነበዩ በእንተ ክርስቶስ መድኀን፡
- እስከ ወገርዋ እስራኤል ብእብን፡

ምንጭ = ስንክሳር ግንቦት 5
የቅዱሳን ታሪክ 1994 ዓ.ም 5ይ መጽሓፍ

## ነቢይ ሕዝቅኤል ወዲ ቡዝ (ቡኤዝ) ኖሬ ይብሎ

ሕዝቅኤል ማለት ጽንዓ እግዚኣብሔር (እግዚኣብሔር ብርትዐ ይህብ እዩ) ማለት እዩ፡ ኣቡኡ ቡዝ (ቡኤዝ) ኣዲኡ ሕሬ ክትከውን ከላ ካልኣይ ውን ሌዋዊት ትበሃል እያ፡ ሃገሩ ቤተ ሰማርያን ኤየሩሳሌምን እዩ፡ ኖሬ ውን ትበሃል እያ፡ ኣቦሓግኡ ሳዶቕ ይብሃል፡ ነገዱ ካብ ነገደ ሌዊ እዩ፡
እዚ ነቢይ እዚ ሓምሌ ዕለት 7 ተወልደ፡ ናይ ነቢይ ሕዝቅኤል ቀዳማይ ስሙ ፒታጎራስ እዩ ዝበሃል ነይሩ፡ ካብቶም ኣርባዕተ ዓበይቲ ነብያት ሓደ እዩ፡ ቁጽሩ መበል ሠለስተ እዩ ዝስራዕ፡ ነቢይ ሕዝቅኤል ወዲ 30 ዓመት ምስ ኮነ። እግዚኣብሔ ኣብ ልዕሊ ኪሩቤል (ኣርባዕቱ እንስሳ) ከምዘሎ ተራእዮ (ተገልጸሉ)፡
ነቢይ ሕዝቅኤል ኢየሩሳሌም ናብ ኢድ ጸላኢ ከምትወድቕ። ቅድሚ ምውዳቕ ክትንሳሕ ከምዘለዋ ዝነቦ ትምህርቲ። ስለ ናይ ኣሕዛብ ነገሥታት ዝተናገሮ ትንቢት። ድሕሪ ውድቀት ኢየሩሌም ዝተናገሮ ትንቢት ሓቂ ኮነሉ። ነቲ ዝተነበዮ ትንቢት ኣብ ባቢሎን ምስ ኢኮንያን ብሓባር ተማሪኹ ከሎ ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ 592 ዓመተ ዓለም ስለ እቶም ዝተማረኹ ትንቢት ተናገረ፡ ነቢይ ሕዝቅኤል ዝያዳ ኩሉ ሰብ ብዓቢይ ይኹን ብንእሽቶይ ዝዝከር ኣብ ትንቢቱ ከምቲ ውዳሴ ማርያም ዘረቡዕ "ሕዝቅኤል ነቢይ ኮነ ሰምዓ በእንቲኣሃ ወይቤ ርኢኩ ኖኅተ በምሥራቅ፡ በዓቢይ መንክር ማኅተም ኣልቦ ዘቦኣ ዘእንበለ እግዚኣ ኃያላን ቦኣ ውስቴታ ወወጽኣ" ዝብል "እዛ ኣፍደገ እዚኣ ዕጽውቲ ትኹን ኣይትከፈት። ሰብ'ውን ብእኣ ኣይእቶ ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽ እስራኤል ብእኣ ኣትየ እየ

እሞ ብዕጽውታ ትንበር” ሕዝ 44፡2-3፡ ንቅድስት ድንግል ብዕጽው ቤት። ብኣዳራሽ መሲሉ ንጎይታ ብጎበዝ መንእሰይ ዝተናገሮ ትንቢትን ብሓደ ጎኑ ደቂሱ ጸጉሩ ቆሪጹ ብምብታን። ዓባስ ምኳኑ ሰበይቱ ክትመውት ከላ ብዘይምብካዩ (ምልቃሱ) ዘስተምሃረ ቃል እዩ፡ ሕዝ 44፡1

ነቢይ ሕዝቅኤል ካብ ሕጻንነቱ ጀሚሩ ናይ ነቢይ ኤርምያስ ደቂ መዝሙር ክኸውን ከሎ ጎይታ ክልተ ጊዜ ናብ ኢየሩሳሌም ወሲዱ ኣርኣዮ፡ ጥፍኣታን ልምዓታን ንኢየሩሳሌም”ውን ተነበየላ። እቶም ሽማግሌታት ውን ይሰምዕዎ ነበሩ፡

ኣብ መጀመርታ ንቓሉ ኣይኣምንዎን ነይሮም፡ ድሕሪ ምርኮ ግን ኣሚኖም፡ እግዚኣብሔር ኣብዚ ነቢይ እዚ ሓዲሩ ንሕዝቡ ከምዝበጽሖምን ከምዝረድኦም ነገረ፡ ንሳቶም ግን ብምኽንያት ሓጢኣቶም’ዚ ኩሉ ከምዝበጽሖም ኣይፈለጡን፡ 597 ዓመተ ዓለም ቅ.ል.ክርስቶስ እስራኤላውያን ናብ ባቢሎን ኣብ ዝተማረኹሉ። ነቢይ ሕዝቅኤል ካብቶም ምሩኻት ሓደ ነበረ፡ ኣብ መበል 25 ዓመቱ ተሸይሙ ንዕለቱ ተማረኸ። ኣብ መበል ሓሙሻይ (5) ዓመቱ ራዕይ ኣብ ሃገር ከለዳውያን ኣብ ኮበር ዝተባህለ ሩባ ኮይኑ ረኣየ፡ ካህን ኮይኑ የገልግል ነበረ፡ ኣብ ባቢሎን ከይኑ ምስቶም ካልኦት እስራኤላውያን ኮይኑ ኮበር ኣብ ዝተባህለ ሩባ ከባቢ ይነብር ነበረ፡

ሎሚ ግን እዚ ሩባ እዚ ኣየናይ ምኳኑ ኣይፍለጥን እዩ፡ ኣብዚ ሩባ እዚ ነቢይ ሕዝቅኤልን ነቢይ ዳንኤልን ይፍለጡ ነበሩ። ሕዝ 14፡14፡ ቅድሚ ምዕናው ኢየሩሳሌምን ድሕሪኡን ቅድሚ ስደትን ድሕሪኡን ዝነበረ ዓቢይ ነቢይ እዩ፡ እስራኤል ምስ ተማረኹ ኣብ ራብዓይ ወርሒ ዕድሚኡ 30 ምስ ኮነ። ኣብ ሓምሻይ መዓልቲ ሰማይ ተኸፊቱ ንእግዚኣብሔር ብራዕይ ረኣዮ፡

ኣብ ዘመኑ ዝነበረ ንጉሥ ዮኣኪን ይብሃል፡ እቲ ራዕይ ዝረኣየሉ ዕለት 27 ሓምሌ እዩ ነይሩ፡ ሕዝ 44። ፡ ብኢዮቤልዩ ብምብዓል ዝተጀመረ ካብ ነቢይ ሕዝቅኤል እዩ፡ ብስሙ ዝጽዋዕ መጽሓፍ 48 ምዕራፍ ዝሓዘ ኣለዎ፡ እዚ ናይ ነቢይ ሕዝቅኤል መጽሓፍ ዝተርጎሞ ዮናታን ዝተባህለ ሊቅ እዩ፡ መጀመርታ ነቢይ ሕዝቅኤል ክጽሕፎ ከሎ ብቋንቋ እብራይስጥ እዩ ጽሒፍዎ፡ ነቢይ ሕዝቅኤል ድሕሪ ምርኮ 20 ዓመት ኣስተምሂሩ ወዲ 50 ዓመት ምስ ኮነ ብሰማዕትነት ሚያዝያ ዕለት 5 ኣዕረፈ፡ ነቢይ ሕዝቅኤል ሓደ ፍሉይ ዝኾነ መጽሓፍ ብዛዕባ ኩሉ ንዋያተ ቤተመቅደስ። ብዛዕባ ቤት መዛግብት። ስለ ደገ ሰላም። ስለ ቤተልሔም ኣቀማምጣ ጽቡቕ ገይሩ ኣቕሚጥዎ ኣሎ፡ እዚ ከኣ ኣብቲ ትርጓሜ ሕዝቅኤል ወጺኡ ኣሎ፡

- እዚ ነቢይ እዚ ስለ ጥምቀት ክርስትና
- ስለ ቅድስት ድንግል ማርያም
- ስለ ኣቀዋውማ ቤተ ክርስትያን
- ስለ ምጽኣት ዓለምን ጎግ ምጎግን
- ስለ ሓለዋ ጓሶት ካህናትን መኳንንትን
- ስለ ትንሣኤ ሙታን ኣስፊሑ ዝጸሓፈ ነቢይ እዩ፡

እቲ ቀንዲ ስም ኣቡኡ ወላዲኡ ኖፊ (ፓና-ፒታጎርስ) እዩ ዝበሃል፡ እዚ ቡዝ ዝብል ንነቢይ ኤርምያስ ወዲ መዝሙሩ ስለ ዝኾነ ንነቢይ ኤርምያስ ከኣ ስለ ዝጸልዕዎ ዝነበሩ ቡዝ እናበሉ ይጸርፍዎ ስለዝነበሩ ወዲ ቡዝ ተባሂሉ፡ ትርጉሙ ቡዝ ማለት ንዑቕ (ምኑን)። ሕሱር። ማለት እዩ ካብ ትርጓሜ ሕዝቅኤል ዝተረኽበ እዩ፡

ምኩራብ ሕዝቅኤል ዝተባህለ ቅድሚ ሞቱ ዘዳለዎ ቤት መቕደስ፡ ደሓር ድሕሪ ሞቱ ግን ንጉሥ ኢኮንያን ገንዘብ ኣዋጺኡ ብግቡእ ሃኒጹ ካብ ዓመት ክሳብ ዓመት ዘይጠፍእ መብራህቲ። እቲ መጽሓፈ ትንቢቱ። ከምኡ’ውን ብኢዱ ዝጸሓፎ ኦሪት ንመዘከርታ ኣብኡ ከምዝነብር ገበረ፡ ዓመት ዓመት ከም ንግደት ደቂ እስራኤል ካልኣይቲ ኢየሩሳሌም ኮይናቶም ይሳለምዋ ነበሩ፡ ግን መእተዊታ ጸባብ ብምንባሩ ብተኣምር ክኣትዉ ከለዉ ትኸፈት። ወጺኦም ምስ ወድኡ ከኣ ትዕጸ ነበረት፡ ማለት እቲ በዓል 7 መዓልቲ ክተርፎ ከሎ ብዓይኖም እናረኣይዋ ጸባብ ዝነበረት ክልተ ሰለስተ ገመል ተእቱ ትኸውን፡ እቲ በዓል ምስ ተፈጸመ ከኣ ከም ቀደማ ትዕጸ፡ እዛ ቤት መቕደስ እዚኣ ብንዋያተ ቅድሳት ኣዝያ ዓባይ ነበረት፡ ምኽንያቱ እቶም ውላድ ዘይብሎም ርስቶምን ጉልቶምን ይህብዋ ብምንባሮም፡ ከምኡ ድማ ብዙሕ ተኣምራት ሰለእተርኢ ብምብጽዓ ብዙሕ ገንዘብን ንብረትን ትረክብ ነበረት፡

ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስትያን ይኹን ኣሜን፡

- ሰላም ለሕዝቅኤል ለማርያም ዘነጸራ
- በአምሳለ ዕፀት ጎሥት ዘእደ ኣምላክ ሣረራ
- ምንዳቤ ስደት ፈጺሞ ወተጼውዎ መከራ
- ፈለሰ ዮም ለዓለመ ጽልመት እም ጻዕራ
- ድጎረ ተነበየ ዓመታት ዕስራ (፳)

ምንጭ = ትርጓሜ መጽሐፈ ሕዝቅኤል
= ስንክሳር ሚያዝያ 5
= የቅዱሳን ታሪክ 1994 5ይ መጽሐፍ

## ነቢይ ዳንኤል

ዳንኤል ማለት ዳኛ እግዚኣብሔር ማለት ክኸውን ከሎ ሃገሩ ይሁዳ እዩ፡ ካልኣይ ስሙ ብልጣሶር ዝብል ኣለዎ፡ እዚ ከኣ ዳንኤል ተባሂሉ ክጽዋዕ ከሎ ኣማልኽቲ ናቡ ከደነጸር ይርዕዱ ስለ ዝነበሩ። ናብከደነጸር ዘውጽኣሉ ስም እዩ። ትርጉሙ ድማ "ሓጺር" ማለት እዩ፡ ነቢይ ዳንኤል ንሠለስቱ ደቂቅ ወዲ ሓትኖኣም እዩ፡

ካብቶም ኣርባዕተ ዝተማረኹ ሓደ እዩ፡ ዝነበረሉ ዘመን ኣይሁዳውያን ብኣረማውያን ገዛእቲ ኣብ ትሕቲኦም ኮይኖም ዝግዝእሉ ዝነበሩ እዋን እዩ። ምርኮ። ሰደት። ጭኮና ይበጽሐም ኣብ ዝነበርሉ ጊዜ እዩ፡ "እግዚኣብሔር ነዚ ጨካን ንጉሥ ኣጥፊኡ ንሕዝቡ ልዕልና ክህብ እዩ" ኢሉ ዝተነበየ ካብቶም ኣርባዕተ ዓበይቲ ነብያት ሓደ እዩ፡ ነቢይ ዳንኤል ብስደት ተማሪኹ ናብ ሃገረ ባቢሎን ወረደ፡ ናይ ፋርስ ንጉሥ ንእስራኤል ብጣዕሚ የሸግሮም ነበረ፡ ነቢይ ዳንኤል ኣብ ምርኮ ከሎ ኣጥቢቹ ይጽሊ ነበረ፡ ንጉሥ ዳርዮስ ዳንኤል ሕልሚ ምስ ፈትሓሉ ኣብታ መንግሥቱ መበል ሳልሳይ ሸሞ፡ ዳን 6።1-3

ዳርዮስ ኣብ ብዘላ መንግሥቱ ሚእትን ዕስራን (120) ኣመሓደርቲ ክሸይም ጽቡቕ ኮይኑ ተራእዩ፡ እቲ ንጉስ ምእንቲ ከይጉዳእ ነቶም መመሓደርቲ ዝጸበጸብዎም ሠለስተ ራእስታት ሾመ፡ ሓደ ካብኣቶም ከኣ ዳንኤል ነበረ፡ ዳንኤል ግና ብሉጽ መንፈስ ስለ ዝሓደሮ ካብቶም ራእስታትን ኣመሓደርትን በሊጹ ተረኽበ፡ እቲ ንጉሥ ድማ ኣብ ዘላ መንግስቱ ክሸሞ ሓሰበ፡ ሽዑ እቶም ራእስታትን ኣመሓደርትን ንዳንኤል ብናይ መንግስቲ ጉዳይ መኽሰሲ ክረኽብሉ ደለዩ። ግናኸ እሙን ነበረ፡ ገለ ጌጋ ወይስ መዐንቀፊ ከኣ ሰኣንሉ እሞ መኽሰሲ ኮቶ ክረኽብሉ ኣይከኣሉን፡ ሽዑ እቶም ሰባት "ንዳንኤል ብዛዕባ ሕጊ ኣምላኹ እንተዘይኮይኑ ካልእ መኽሰሲ ክንረኽበሉ ኣይንኽእልን ኢና" በሉ፡ ድሕሪ እዚ እቶም ራእስታትን መመሓደርትን ኣብ ቅድሚ ንጉሥ ተኣኪቦም "ኦ ንጉሥ ንዘልዓለም ሕያው ኩን፡ ኩላትና ራእስታትን መንግሥትን ሹማምንትን መመሓደርትን ኣማኸርትን ምስለኔታትን በዘን 30 መዓልታት እዚኣን ንዓኻ እንተዘይኮይኑ ንዝኾነ ይኹን ኣምላኽ ወይስ ሰብ ዝለመነ ኣብ ጉድጓድ ኣናብስ ክምዝድርበ ክትእዝዝ። ብርቱዕ ኣዋጅ ክትእዝዝ ሓቢርና መኺርና ኣሎና፡ ኦ ንጉሥ ከምቲ ዘይልወጥ ሕጊ ሚዶንን ፋርስን ክኸውን እሞ ከይልወጥሲ ስምካ ጽሒፍካ ነቲ ኣዋጅ ኣጽንዓዮ" በልዎ፡ ንሱ ድማ ከምቲ ዝበልዎ ኣጽንዖ፡

ዳንኤል ድማ እዚ ሕጊ እዚ ከምዝተጻሕፈ ምስ ፈለጠ ናብ ቤቱ ከደ፡ እታ ኣብ ደርቢ ዝነበረት ቤቱ ናብ ኢየሩሳሌም ኣቢለን ዝጥምታ መሳኹቲ ነበራኣ፡ እተን መሳኹቲ ብኽፉታተን ከኣ ከምቲ ቀደም ዝገብሮ ዝነበረ 3 ሳዕ ኣብ መዓልቲ ኣብ ቅድሚ ኣምላኹ ብብርኩ እናተምበርከኸ ጸለየን ኣመስገነን፡ ሽዑ እቶም ሰባት ንዳንኤል ኣብ ቅድሚ ኣምላኹ ክሰግድን ክጽልን ረኽብዎ፡ ናብ ንጉሥ ቀሪቦም ከኣ ከሰስዎ፡ ከምዚ ከኣ በሉ " እዚ ካብ ደቂ ምርኮ ይሁዳ ዝኾነ ዳንኤል ኣብ መዓልቲ 3 ሳዕ ልማኖኡ የቕርብ ኣሎ፡ ኦ ንጉሥ ንዓኻ ወይ ነቲ ዝኣወጅካዮ ኣዋጅ ግዲ የብሉን" በልዎ፡

እቲ ንጉሥ ነዚ ነገር እዚ ምስ ሰምዐ ኣዝዩ ጎሃየ፡ ንዳንኤል መታን ከናግፎ ከኣ ምኽንያት ደለየ፡ ፀሓይ ክሳብ ትዓርብ ውን ከድሕኖ ተጋደለ፡ ሽዑ እቶም ሰባት ናብ ንጉሥ መጺኦም "ኦ ንጉሥ እቲ ንጉሥ ዘጽንየ ኣዋጅን ትእዛዝን ከይልወጥሲ ኣብ ሜዶንን ፋርስን ሕጊ ከም ዘሎ ፍለጥ" በልዎ፡ ሽዑ እቲ ንጉሥ ንዳንኤል ኣምጺኦም ናብ ጉድጓድ ኣናብስ ክድርብይዎ ኣዘዘ፡ ንዳንኤል ድማ እቲ ኩሉ ጊዜ እተገልግሎ ኣምላኽ የናግፍካ"በሎ፡ ንጽባሒቱ እቲ ንጉሥ ኣንጊሁ ተንሢኡ ቀልጢፉ ናብቲ ዳንኤል ዝኣተዎ ጉድጓድ ኣናብስ ከይዱ። "ኣታ ዳንኤል ባርያ ሕያው

ኣምላኽ፡ እቲ ኩሉ ግዜ እተገልግሎ ሕያው ኣምላኽስ ካብ ኣፍ ኣናብስ ከናግፈካዶ ከኣለ።" እናበለ ጸወየ፡ ሽዑ ዳንኤል "ኦ ንጉሥ ንዘልዓለም ሕያው ኩን፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንጹሕ ስለዝኾንኩ። ንዓኻ ድማ ስለዘይበደልኩ። ኣምላኽይ ንቅዱስ ሚካኤል መልኣኽ ልኢኹ ኣፍ ኣናብስ ዓጸወለይ፡ ንሳቶም'ውን "ኣይጎድኡንን" ኢሉ መለሰሉ፡ እቲ ንጉሥ ኣዝዩ ተሓጎሰ፡ ካብቲ ጉድጓድ ከውጽእዎ ድማ ኣዘዘ፡ ኣውጽእዎ ከኣ፡ ኣብ ኣምላኹ ተወኪሉ ስለዝነበረ'ውን ገለ ጉድኣት ከምዘይረኸቦ ረኣዩ፡ እቲ ንጉሥ ከኣ ነቶም ንዳንኤል ዝኸሰስዎ ምስ ኣንስቶምን ደቆምን ናብ ጉድጓድ ኣናብስ ክድርብይዎም ኣዘዘ፡ ገና ፍርቂ ጉድጓድ ከይበጽሑ ድማ እቶም ኣናብስ ጎበጥዎም፡ ኩሉ ኣዕጽምቶም'ውን ሰባበርዎም፡

ሽዑ እቲ ንጉሥ "ንኣምላኽ ዳንኤል ኣብ ኩሉ ግዝኣት መንግሥተይ ፍርህዎን ኣኽብርዎን ኢለ እእዝዝ ኣሎኹ፡ ንሱ ንዘልዓለም ዝነብር ሕያው ኣምላኽ እዩ፡ መንግሥቱ ኣይክትጠፍእን እያ፡ ግዝኣቱ ውን ኣይክትጠፍእን እያ፡ ግዝኣቱ ውን ክሳዕ መወዳእታ ክቐውም እዩ፡ ንሱ የናግፍን የድሕንን፡ ኣብ ሰማይን ምድርን ከኣ ትእምርትን ተኣምራትን ይገብር እዩ፡ ንዳንኤል ካብ ኣናብስ ዘድሓነ ንሱ እዩ፡"

ዳንኤል ኣብ መንግሥቲ ዳርዮስን ቂሮስን ኣዝዩ ክቡር ነበረ፡ ዳን 6።1-28

ዳንኤል ንሶስና ጓል ኢዮአቄም ካብቶም ሓሰውቲ ረበናትን ካብ ሓሰውቲ መሰኻኽር ዘድሓና ነቢይ እዩ፡

ኣብ ሰሙን ክልተ መዓልቲ ይጸውም ነበረ፡ ከም ዝጸመ ምስክርነት ዝሃበ ኣብ ዘመን ንጉሥ ኢዮአቄም ኣብ መበል ሣልሳይ ዓመቱ። ዳን 6።1፡ ሱባኤ ምስ ኣተወ ቅዱስ ገብርኤል መልኣኽ ሰኔ 13 ናብኡ መጸ፡

"ንሓሴ 17 መቐደስ ክሳብ ክርስቶስ ክትሕነፅ እያ" ንመጀመርያ ግዜ ስም ክርስቶስ ዝብል ስም ዝጸወዐ ንሱ እዩ፡ ካብ ኣዳም ጀሚሩ ክሳብ ልደት ክርስቶስ 7 ሱባኤን 62 ሱባኤን ቆጺሩ ዕለቱ ዝረኸበን ዝተርጎመን ነቢይ እዩ፡ ናይ ናቡ ከደነጸር ሕልሚ ሱባኤ ኣትዩ ዝተርጎመ እዩ፡ ንመጀመርታ ጊዜ ሥጋን ቅብእን ከይበልዐ ዝጸመ ክኸውን ከሎ። ዝረዳድኡ ዝነበረ መልኣኽ ቅዱስ ገብርኤል እዩ፡

ንቤተ መቐደስ ቅድሰተ ቅዱሳን ይብሃል ዝበለ እዚ ነቢይ እዚ እዩ፡

ኣብ ፈለግ ጤግሮስ ጎይታ ዝተገልጸ ነቢይ እዩ፡ ዳን 10።12

መልኣኽ ብጸጉሩ ሒዙ ንነቢይ እንባቆም ንዳንኤል ኣብ ጉድጓድ ኣናብስ ከሎ መግቡ ከምዘብጽሓሉ ዝገበረ ግንቦት 12 እዩ፡

ነቢይ ዳንኤል እቲ ጽንጽያ እኳ ዘይነዓቐ ኣምላኽ ንዓይ ከኣ ዘከረኒ ኢሉ ኣመስገነ፡

ጸሎቱን በረኸቱን ምስ ኩልና ሕዝበ ክርስትያን ይኹን

- ሰላም ለዳንኤል

ምንጭ = መጽሓፍ ትንቢት ዳንኤል
= ተረፈ ዳንኤል
= ሰንክሳር ዕለት

## ሠለስቱ ደቂቅ ኣናንያ። ኣዛርያ። ሚሳኤል ደቂ ኤልያቄም

እዞም ሰለስተ መንእሰያት ኣናንያ። ኣዛርያ። ሚሳኤል ደቂ ሓደ ሰብኣይ ደቂ ኤልያቄም ንጉሥ ይሁዳ ኮይኖም ንጉሥ ናቡከደነጸር ዝማረኹም። ኣብ ቤቱ የዕብዩ ኣብ ዞባታቱ ዝሸሞም እዮም፡

## ምኽንያት ኣብ እቶን ሓዊ መእተዊኦም ከምዚ ዝስዕብ እዩ

ዳን 3።1-18 ንጉሥ ናቡከደነጸር 27 ሜትሮ ዝቐመቱ 3 ሜትሮ ዝጎድኑ ናይ ወርቂ ምስሊ ገበረ፡ ኣብ ጎልጎል ዱራ ኣብ ኣውራጃ ባቢሎን ከኣ ከቐሞ ንመሳፍንትን ሹመኛታትን ራእስታትን መማኸርትን መገብትን ደያኑን ሓላቑን ኣብ ሃገሩ ዝተሸሙ ምስለኔታትን ነቲ ንሱ ዘቐሞ ምስሊ ምእንቲ ክጽምብልዎ ክእከቡ ለኣኽሎም፡ ሽዑ ኩሎም እቶም ሹማምንቲ ናብቲ ናቡከደነጸር ዘቐሞ ምስሊ ክጽምብልዎ ተኣከቡ፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ዘቐሞ ምስሊ ከኣ ቕሙ፡ እቲ ኣዋጅ ነጋሪ ዓው ኢሉ "ኣቱም ሕዝብታትን ወገናትን በብዓይነቱ ቋንቋ እትዛረቡን። ደሃይ መለኽትን እምብልታን መሰንቆን በገናን ጭራ ዋጣን ነጋሪትን ብዘሎ ናውቲ ሙዚቃን ክትሰምዑ ኢኹም፡ ሽዑ ነቲ

ዝቐመ ምስሊ ወርቂ ፍግም ኢልኩም ስገድሉ፡ ፍግም ዘይበለን ዘይሰገደን ግና ብኡብኡ ናብ ግሁር ሓዊ ክድርበ እዩ" ኢሉ ኣወጀ፡ ስለዚ ነቲ ደሃይ መለኽትን እምብልታን መሰንቆን በገናን ጭራ ዋጣን ብዘሎ ናውቲ መዚቃን ምስ ስምዑ ኩላቶም ኣሕዛብን ወገናትን በብዓይነቱ ቋንቋታት ዝዛረቡን ነቲ ነቡከደነጾር ዘቐሞ ምስሊ ወርቂ ፍግም ኢሎም ሰገድሉ፡

**<u>ሠለስቱ ደቂቅ ከምዘተኽሱ</u>**

በቲ ግዜ እቲ ገለ ሰብ ባቢሎን ናብ ንጉሥ ናቡከደነጾር ቀሪቦም ነቶም ኣይሁድ ከሰስዎም፡ ንንጉሥ ከኣ "ኦ ንጉሥ ሕያው ኩን፡ ንስኻ ነፍስ ወከፍ መለኽትን እምብልታን መሰንቆን በገናን ጭራ ዋጣን... ክስማዕ ከሎ ነቲ ምስሊ ፍግም ኢሉ ክስገደሉ ኣዘዝካ፡ ፍግም ዘይብልን ዘይሰግድን ግን ኣብቲ ግሁር እቶም ሓዊ ክድርበ ከኣ ኣዘዝካ፡ ኦ ንጉሥ እቶም ኣውራጃ ባቢሎን ከማሓድሩ ዝሸምካዮም ኣይሁድ ሲድራቅን ሚሳቅን ኣብደናጎን ግድኻ የብሎምን፡ ንኣማልኽትኻ ኣየምልኹን ነቲ ዘቐምካዮ ምስሊ ወርቂ'ውን ኣይሰግዱን እዮም" በልዎ፡

ሽዑ ናቡከደነጾር ኮርዩን ነዲሩን ኪመጽእዎም ኣዘዘ፡ ንሳቶም ድማ ናብ ቅድሚ ንጉሥ ቀረቡ፡ ናቡከደነጾር ከኣ ሲድራቅ፡ ሚሳቅ፡ ኣብደናጎ እቲ ንኣማልኽቲ ዘይምምላኽኩም ነቲ ዘቐምኩዎ ምስሊ ወርቂ ውን ዘይምስጋድኩምሲ ሓቂ ድዩ፧ ሕጂ ድማ ደሃይ መለኽት፡ እምብልታን... ክትሰምዑ ከለኹም ፍግም ክትብሉን ነቲ ዝገበርኩዎ ምስሊ ክትሰግዱን ተዳለዉ፡ እንተዘይስጊድኩምሉ ግና ናብቲ ግሁር ሓዊ ክትደርበዩ ኢኹም፡ እቲ ካብ ኢደይ ዘናግፈኩም ኣምላኽ'ከ መን እዩ፧" በሎም፡ ንሳቶም "ኦ ንጉሥ እቲ እነምልኾ ኣምላኽ ካብቲ ግሁር እቶን ሓዊ ከነግፈና ይኽእል እዩ፡ ንሱ ከነግፈና እንተዘይፈተወ ንሕናስ ንኣማልኽትኻ ከምዘይነምልኾም፡ ነቲ ዘቐምካዮ ወርቂ'ውን ከምዘይንሰግደሉ ፍለጥ" በልዎ፡

ሽዑ ናቡከደነጾር ብሲድራቅን ሚሳቅን ኣብደናጎን ኣዝዩ ተቐጥዐ፡ ትርኢት ገጹ ውን ተለወጠ፡ ነቲ እቶን ካብቲ ዝነበሮ ሸውዓተ ኢድ ኣበርቲዖም ኬንድድዎ ኣዘዘ፡ ካብ ሠራዊት ኃያላት ሰባት ጸዊዑ ከኣ ንሲድራቅን ሚሳቅን ኣብደናጎን ክኣስርዎም እሞ ናብቲ ግሁር እቶን ሓዊ ክድርብይዎም ኣዘዘ፡ ሽዑ እዞም ቅዱሳን የሕዋት ምስ ቀሚሶምን ምስ ባርኖሶምን መጓናጸፍያኦምን ምስ ኩሉ ክዳውንቶም ተኣስሩ፡ ናብቲ ጉሁር እቶን ሓዊ ከኣ ተደርበዩ፡ እቲ ንጉሥ እቲ እቶን ሓዊ ኣዝዩ ክረስን ስለ ዝኣዘዘ እቲ ሃልሃልታ ሓዊ ነቶም ንሲድራቅን ሚሳቅን ኣብደናጎን ዝደርበይዎም ሰባት ኣቃጺሉ ቀተሎም፡ ሠለስቲኦም ሲድራቅን ሚሳቅን ኣብደናጎን ግና ብእሱራቶም ናብቲ እቶን ሓዊ ወደቑ፡

ሽዑ ንጉሥ ናቡከደነጾር ሰንበደ፡ ተቐላጢፉ ውን ተንሥኡ፡ ነማኽርቱ ድማ እቶም ኣሲርና ናብ ሓዊ እቶን ዝደርቤናዮምሲ ሠለስተ ሰባት ዶ ኣይኮኑን፧" ኢሉ ሓተቶም፡ ንሳቶም ከኣ "ኦ ንጉሥ ርግጽ እዩ" ኢሎም መለሱሉ፡ ንሱ ከኣ "እንሆ ኣነ 4 ፍቱሓት ሰባት ገለ እኳ ከይተጎድኡ ኣብ ማእከል ሓዊ ከመላለሱ እርኢ ኣሎኹ፡ ትርኢት እቲ ራብዓይ ድማ መልኣኽ ይመስል" በለ፡

ድሕሪኡ ናቡከደነጾር ናብ ኣፍ እቲ ጉሁር እቶን ሓዊ ቀሪቡ "ሲድራቅ፡ ሚሳቅ፡ ኣብደናጎ ኣቱም ባሮት ልዑል ኣምላኽ ናብዚ ውፁ" ኢሉ ጸወያም፡ ሽዑ ሲድራቅን ሚሳቅን ኣብደናጎን ካብቲ ሓዊ ወፁ፡ እቶም መሳፍንትን ሹመኛታትን ራእስታትን ኣማኽርቲ ንጉሥን ተኣኪቦም ነቶም ሰባት ገለ ከምዘይገበሮም ረኣዩ፡ ፀጉሪ ርእሶም ኣይቃረየን፡ ክንዳውንቶም ኣይነደደን፡ ኣረ ጨና ሓዊ እኳ ኣይነበሮምን፡

ናቡከደነጾር ከኣ "እቲ ነቶም ባሮቱ መልኣኹ ሰዲዱ ዘናገፎም ኣምላኽ ሲድራቅ፡ ሚሳቅ፡ ኣብደናጎ ይባረኽ፡ ንሳቶም ኣብኡ ተወኪሎም ትእዛዛተይ ኣበዩ፡ ብዘይካ ንኣምላኾም ንካልኦት ኣማልእኽቲ ከየምልኹን ከይሰግዱንሲ ሕይወቶም ወፈዩ" በለ፡

"ሕጂ ከኣ ከምኡ ገይሩ ከናግፍ ዝኽእል ካልእ ኣምላኽ የልቦን እሞ ዝኾነ ይኹን ካብ ብዘለዉ ኣሕዛብን ወገናትን በብዓይነቱ ቋንቋታትን ዝዛረቡን ንኣምላኽ ሲድራቅን ሚሳቅን ኣብደናጎን ሕሱም ቃል ዘውጽእ ንሱ ክቆራረጽ፡ ቤቱ ከኣ ዑና ክኸውን እእዝዝ ኣሎኹ" በለ፡

ድሕሪዚ እቲ ንጉሥ ንሲድራቅን ሚሳቅን ኣብደናጎን ኣብ ኣውራጃ ባቢሎን ሸሞም፡ ዳን 3፡19-30፡

ኣባ ጊዮርጊስ ዘጋሰጫ ኣብቲ ሰዓታት ዝተባህለ መጽሓፉ “ንዒ ጎቤነ ኦ ድንግል ምስለ ኣናንያ ወኣዛርያ ወሚሳኤል። ትእዛዘ ንጉሥ ዘኣበዩ ለአምላከ ሰማይ ዘገነዩ። ማዕከለ እቶን እሳት ዘጸለዩ” ኢሉ ጽሒፉሎም ኣሎ፡

## ንጉሥ ዳዊት ወዲ እሴይ

ዳዊት ማለት ልቢ ኣምላኽ ክኸውን ከሎ። ኣቡኡ እሴይ ኣዲኡ ህብሊ ይበሃሉ፡ ዕለት 6 ሚያዝያ ኣብ ሃገሩ ኤፍራታ ተወልደ፡ 7 ኣሕዋት ነበርዎ። መበል 7ይ ንሱ እዩ፡ ኣብቲ ሓጢኣት ዝበዝሐን ጣያት ዝምለኸ ዝነበረን ዘመን እዩ ተወሊዱ፡
ኣብ ጎሬቤት ገዝኡም ነዲኡ ህብሊ ክትኣቱን ክትወጽእን ዝጥምታ ሓደ ሰብ ነበረ፡ ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ንእሴይ እግዚኣብሔር ገሊጽሉ ንህብሊ ሰበይቱ መገሻ ኣለኒ እሞ ስንቂ ቁጸርለይ ኢልዋ። መገሻ ዝኸደ መሲሉ ለይቲ ብጸልማት ነቲ ኩሉ ጊዜ ዝትምነዮ ዝነበረ ጎበዝ መንእሰይ ተመሲሉ ቆልዑት ምስ ደቀሱ ቀስ ኢሉ ምስኣ ክሓድር ከሎ እሴይ ሰብኣያ ምኳኑ ከይተረድኣት ምስኣ ሓደረ፡
ኣብዚ ለይቲ እዚ ነሓሴ 13 ተጠኒሱ። ሚያዝያ ዕለት 6 ከኣ ተወልደ፡ እሴይ ከኣ ለይቲ ደቁ ከይፈለጡ ወጺኡ ከደ፡ ድሕሪኡ ንጽባሒቱ እሴይ ተመሊሱ መጸ፡
እቲ ድቓላ ንእሴይ ዝመስል ኮይኑ ተወልደ፡ ንሳ ከኣ ምስኣ ዝሓደረ ጎረቤታ ዝነበረ መንእሰይ እምበር ሰብኣያ ኣይመሰላን፡ በዚ ምኽንያት ከኣ እዚ ቆልዓ ነዚ ውሽማ መሲሉ እንተተወሊዱስ ከዋርደኒ እዩ እናበለት ትስከፍ ነበረት፡ እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ዳዊት ውን እናዓበየ ምስ ከደ መልክዑ ልክዕ ነቡኡ እሴይ እናመሰለ ከደ፡ መዝ 50፡5 “እንሆ ካብታ ዝተወለድኩላ መዓልቲ ጀሚረ ኃጥእ እየ፡ ካብታ ኣደይ ዝጠነሰትኒ መዓልቲ በደለኛ እየ፡”
ዳዊት ወዲ 12 ዓመት ምስ ኮነ ንጎልያድ ብወንጭፍ እምኒ ኣውዲቑ ብገዛእ ሴፉ ክሳዱ ቆሪጹ። ሒዙ ናብ ንጉሥ ሳኦል ወዲ ቂስ ከደ፡ ሳኦል ከኣ ተሓጎሰሉ፡ በዚ ምኽንያት እዚ ደናግል እስራኤል “ዳዊት እልፍ። ሳኦል ሽሕ ቀተለ” ኢለን ዘመራ 1ሳሙ 18፡6፡ በዚ ሳኦል ኣብ ልዕሊ ዳዊት ቅንኣት ኣሕደረ፡ ኣጸቢቑ ውን ጸልኡ፡ ኣብ ዘመኑ ዝነበረ ነቢይ ሳሙኤል ንሳኡል ካብ ሓለዋ ኣድጊ ኣምጺኡ ቀቢኡ ኣንገሦ፡
ሳኡል ሰለስተ ጌጋታት ፈጸመ

1. ንኣጋግ ማሪኹ ኣምጺእዎ፡
2. ስቡሓት ከብቲ ከጥርየንን ክበልዐንን ኣምጸኡ፡
3. ነቢይ ሳሙኤል ከይፈለጠ ኣነ ባዕለይ መስዋእቲ እንተኣቐረብኩ እንታይ ኣለዎ ኢሉ መስዋእቲ ኣቕሪቡ፡ መስዋእቱ ኣይሠመረሉን፡ በዚ ምኽንያት እታ መንግሥቲ ናብ ዳዊት ወዲ እሴይ ኣሕሊፉ ሃቡ፡

ዳዊት ውን ካብቲ ኣባጊዕ ዝሕልወሉ ዝነበረ ቦታ ጸዊው ጥቅምት ዕለት 12 ብነቢይ ሳሙኤል ተቐቢኡ ነገሠ፡ ናይ በገና ክኢላ ስለዝነበረ ነዚ በገናኡ ክሰምዑ ከለዉ ኩሎም ሕሙማት ካብ ሕማሞም ይጥዕዩ ነበሩ፡
ሰይቲ ዳዊት ሜልኮል ጓል ሳኡል ትብሃል፡ ሜልኮል ውላድ ኣይወለደትን፡ ምኽንያቱ ዳዊት ንኽብሪ ታቦተ ጽዮን በገና እናወቐዐ ከሸብሽብ ከሎ ንዒቓ ብምስሓቓ ማሕፀና ትዓጽው፡ ግን ዋላ'ኳ ውላድ ዘይብላ መኻን ትኹን እምበር። እቲ ኣቡኣ ሳኡል ንዳዊት ክቕትሎ ክደሊ ከሎ ብሒጓን ብመስኮትን ብምህዳም፡ ኣብ ልዕሊ ዓራት ዝሞተ እናኣምሰለት ብዝተፈላለየ መልክዕ ካብ ሞት ኣድሒናቶ እያ፡
ሓደ መዓልቲ ኣቤሴሎም ወዱ ነቡኡ ዳዊት ክቕትሎ ክደሊ ከሎ ኦ ጎይታ ካብዛ ክፍእቲ መዓልቲ ኣድሕነኒ ኢሉ ኣመስገነ፡ ኣቤሴሎም ወዱ ከኣ ከምቲ ዝሓሰቦ ከተዓወተ ሞተ፡ ካልኣይ ወዱ ኣምኖን ንትእማር ሓብቱ ብምንዋሩ ጎሃየ። ነዚ እውን ኣቤሴሎም ኣብ በረኻ ኣቕተሎ፡ መዝ 6፡1-ፍጻሜ
ደሓር ውን ዳዊት ምስ ኢሎፍላውያን ይዋጋእ ኣብ ዝነበረሉ ኦርዮ ብርቱዕ ተዋጋኣይ ኮይኑ እሙን ሰብ ዝነበረ። ሰበይቱ ቤርሳቤህ ኣብ ከባቢ ቤተ መንግሥቲ ዳዊት ሰብነታ ክትሕጸብ ከላ ርእዩ ብናይ ዝሙት ኩናት ተወጊኡ ንምሸቱ ጸዊው ሒዝዋ ኣምሰየ፡ ኣብዛ ለይቲ እዚኣ ከኣ ጠነሰት፡ ሽዑ ድሕሪ 3 ወርሒ ሰሚዑ። ንሳ ውን ጠኒሰ ኣሎኹ እሞ ብዳርባ እምኒ ወይ ብምቅጻል ሓዊ ከይቀትሉኒ ኢላ ለኣኽትሉ፡ ንሱ ውን ንኦርዮ መታን ናቱ ክመስሎ ካብ ዓውደ ውግእ ኣምጺኡ “ሎሚ ምስ

ሰበይትኻ ቤርሳቤህ ሕደር” በሎ፡ ኦርዮ ከኣ “ብጸተይ ኣብ ኩናት ከለዉ ዶ። ኣነ ሰበይተይ ተራእያትኒ ድያ” ብምባል ምስ ሰበይቱ ከይተራኸበ ንበይኑ ደቂሱ ሓደረ፡

ዳዊት ከኣ ምስ ሰበይቱ ከምዘይሓደረ ሰሚዑ እዝስ እባ ፈሊጡኒ እዩ ኢሉ ናይ ደብዳቤ ወረቐት ብማሕተሙ ከምዘይከፍታ ዓሺጉ ናብ ኢዮኣብ ኣብጽሓያ ኢሉ ሃቡ፡ ከምታ ዝተኣዘዛ ከይከፈተ ንሓለቓ ሠራዊት ኢዮኣብ ሃቡ፡ ኣብታ ደብዳቤ “ኢዮኣብ ተቐቢልካ እቲ ኩናት ኣዝዩ ምስ በርተዐ ንኦርዮ ገዲፍኩሞ መታን ክመውት ኣስሓብ ገበሩ” ዝብል ነበረ፡

ኢዮኣብ ክፍት ኣቢሉ ከንብባ ከሎ ብጣዕሚ ጎሃየ፡ ኦርዮ “ስለምንታይ ትሓዝን” በሎ፡ ኢዮኣብ “ደሓን እየ” በሎ፡ ኢዮኣብ ከምታ ዝተኣዘዛ ገበረ፡ ኦርዮ ከኣ ብኢሉፍላውን ተቐትለ፡ ኣብዚ እዋን እዚ ነቢይ ሳሙኤል ሞይቱ ብነቢይ ናታን ተተኪኡ ብምንባሩ። ናታን ጸሊም ተኸዲኑ ናብ ዳዊት ከደ እሞ ዳዊት ደንገጸ፡ “ነቢየ እግዚኣብሔር እንታይ ተረኺቡ፧” በሎ፡

ነቢይ ናታን ብምሳሌ ገይሩ “ኣብ ሓደ ሃገር ሓንቲ ሽበን በጊዕ ዝነበረቶ ሰብኣይ ይነብር ነበረ፡ ንኻልእ ሰብኣይ ከኣ 100 ኣባጊዕ ነበራኡ፡ እዚ በዓል 100 ኣባጊዕ ካብተን 100 መታን ከይሓርድ ከይጎድላኡ። ነታ ናይቲ ድኻ ሰብኣይ ሓንቲ ሽበን ሠሪቑ ወሲዱ ሓሪዱ በልዓ” በሎ፡

ዳዊት “ነዚ ሰብ እዚ ኣብ ናተይ ዘመን እንተኾይኑ ልዕል ኢለ ክሳዱ። ትሕት ኢለ እግሩ ክቐርጸ እየ” በለ፡ ነቢይ ናታን “ኣ ንጉሥ ዳዊት ኣብ ገዛእ ሰብነትካ ፈረድካ፡ ንስኻ ሰበይቲ ከይሰኣንካ ሰይቲ እቲ ጅግና ኦርዮ ቤርሳቤህ ሰረቕካ። ንዕኡ ከኣ ኣቕቲልካዮ” በሎ፡ ኣብዚ ሰዓት እዚ ዳዊት ተፈሊጥዎ “እንታይ ክገብር፧” ኢሉ ሓተቶ፡ ነቢይ ናታን ኣብ ዝተመሳቐለ መንገዲ ኬድካ ሓደ ጉድጓድ ኣኽዕዒትካ። ኣብ ውሽጣ ኮይንካ ጸሊ፡ ንሶት ከብቶም ሒዞም ክወፍሩ ከለዉ እንተሰሚዕካ ጎይታ ክዕረቕካ እዩ” በሎ፡

ዳዊት ከምታ ዝበሎ ሰብ ከይረኣዮ ከይዱ ማቕ ተኸዲኑ። ሓመድ ነስኒሱ። ኣብታ ጉድጓድ ኣተወ፡ ንሶት ኣይረኣይዎን፡ እቲ ካብ ሰይቲ ኦርዮ ዝወለዶ ሕፃን ሓሚሙ ብምንባሩ። ሞይቱ ከተማ ኢየሩሳሌም ተጨነቐት፡ ንሶት ነዚ ሰሚየም ክዘራረቡ “ሎሚ ከተማ ኢየሩሳሌም ተሸጊራ ኣላ” ብምባል እቲ ሓደ ምስቲ ሓደ “እንታይ ኮይና፧” እንተበሎ። “እቲ ካብ ሰይቲ ኦርዮ ንጉሥ ዝወለዶ ሕፃን ሞይቱ ተባሂሉ” በሎ፡ እቲ ሓደ ንጎ “ነቲ ጅግና ዝኾነ ሰብ ኦርዮ እንድዩ ኣቕቲልዎ። ንሱ ክመውት ነይርዎ” ክበሃሃሉ ሰሚዑ። በዞም ሕፃናት ዘጽረፍካኒ ኢሉ ሓዚኑ (ጉህዩ) ካብቲ ጉድጓድ ወጺኡ ከይዱ ኣብቲ ናይ ቀደም ናይ መንግሥቱ ዝፋን ተቐመጠ፡ ስለምንታይ ወድኻ ክመውት ክትሓዝን ከተልቅስ ምተገብኣካ እምበር እንተበልዎ”ደጊም ኣነ ድኣለይ ዝስዕቦ እምበር። ንሱ ናባይ ኣይምለስን እዩ፡ እቲ ቐድም ክድሕነለይ ኢለ ሓዚነ ክድሕን ኣይክኣለን” በሎም፡

ድሕሪኡ ንቤርሳቤህ ኣእትዩ ነቲ ዓብይን ጥበበኛ ንጉሥ ሰሎሞን ነሓሴ ዕለት 4 ወለደ፡ ዳዊት 150 መዝሙር ብበገና ገይሩ ደረሰ፡ ኣብዚ ውሽጢ ድርሰቱ ስለ ጸሎት። ስለ ንስሓ። ስለ ልማኖ። ስለ ዝሞቱ። ስለ ናይ ጎይታ ተኮርዓተ ርእስ። ስለ ስቕለት። ስለ ቤተክርስትያን ሓንቲ ከየትረፈ ደረሰ፡

ዳዊት ልቢ ኣምላኽ ዝተባህለ ንመጻኢ ክኸውን ዘለዎ ትንቢት ስለዝተነበየ። ይቕረ በሃሊ ምኳኑን እዩ፡ ጎይታ ኣብ መዋዕለ ሥጋዌ ትምህርቲ ክህብ ከሎ’ውን ደጋጊሙ ንመዝሙረ ዳዊት ይጠቅስ ነበረ፡

ካልኦት ወንጌላውያን ልኡኻት ኦርድእትን ዝጸሓፍዎ ነብያት። ሊቃውንት። ሓዋርያት ከይጠቕስዎ ኣይሓልፉንን እዮም፡

ዳዊት ኣብ ኬብሮን 7 ዓመት። ኣብ ይሁዳ 33 ዓመት ብድምር 40 ዓመት ነገሠ፡

ዳዊት ቤተመቕደስ ንኽሰርሕ ዕዙዝ ምድላው ነበሮ እሞ። ኣብ ነቢይ ጋድ ሓዲሩ ጎይታ “ካባኻ ዝውለድ ድኣሉ ዝሰርሓለይ እምበር ንስኻስ ኣይትሰርሓለይን ኢኻ” በሎ፡

ዳዊት ምስ ኣረገ (ሸምገለ) ሓንቲ ጓል 15 ዕመት ሱናማዊት ንኽተሞቕ ኣብቲ መደቀሲኡ ይእትዉዋ ነበሩ፡

ናይ ዳዊት ቅንዕና። ንስሓ፡ ጣዕሳ። ጅግንነት።፡ ብልህነት። እዚ ኩሉ ጠባያቱ ንቤተክርስትያን ጥቕሚ ምኳኑ ንርዳእ፡

ዳዊት 7 ሃብትታት ዝተዋህቦ ሰብ እዩ፡ ንሳቶም ድማ።-

1. ሃብተ መንግሥት።
2. ሃብተ ክህነት።

3. ሃብተ ጎይል (ብርትዐ)።
4. ሃብተ መዊዕ (ምስናፍ)።
5. ሃብተ በገና (መሰንቆ ምውቃዕ)።
6. ሃብተ ፈውሰ።
7. ሃብተ ትንቢት።

ንጉሥ ዳዊት 40 ዕመት ገዚኡ ዕድመ ጸጊቡ 23 ታሕሳሥ ዓሪፉ ኣብ ኢየሩሳሌም ተቐብረ፡ 1ነገ 2።10

1ሳሙ 16።11-13

1ሳሙ 17።34-58 ዳዊት ከም ልበይ ዝኾይድ ሰብኣይ ረኺብኩ ዝተባህለ ኣቦ እዩ፡

ግብ 13።22

ጸሎቱ በረኸቱን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስትያን ይኹን፡

- ሰላም ለዳዊት ትሕትናሁ ሶበ ርእየ፡
- ወየዉሀቶ ፍጹመ ዘኣልቦ እከየ፡
- እግዚኣብሔር ይቤ እንዘ ይነብብ ሰደየ፡
- እምነ ሕዝብየ አልዓልኩ ጎሩይየ፡
- ወረከብክዎ ለዳዊት ገብርየ፡

## ንጉሥ ሰሎሞን ወዲ ዳዊት

ሰሎሞን ማለት መስተሳልም። ሰላማዊ ክኾውን ከሎ። ኣቦኡ ንጉሥ ዳዊት። ኣዲኡ ከኣ ቤርሳቤህ ይበሃሉ፡ ሰሎሞን ዕለት 23 ሰነ ተወልደ፡ ዝተወልደሉን ዝሞተሉን ዕለት ሓደ እዩ ዝብሉ ኣለዉ፡ እዚ ጽሑፍ ተጻሒፉ ዘሎ ግን ኣብ መጽሓፈ ሰሎሞንን ግጻዌን ተጻሒፉ ከምዘሎ እዩ፡ ዝተወልደሉ ከተማ ኢየሩሳሌም ይበሃል፡ ካብ ነገሥታት እስራኤል ሣልሳይን መወዳእታን እዩ፡ ካብ ወርሒ ነሓሰ ዕለት 4 ተወልደ፡ ኣዲኡ ቤርሳቤህ ወዳ ንኽነግሥ ዝተቓለሰትን ዝተጣበበትን ኮይና ወዳ ምስ ነገሠ ኣብ ወርሒ ታሕሳሥ ዕለት 1 ዓረፈት፡ 1 ነገ 2።15 ተጻሒፉ ከም ዘሎ ኣደንያሥ ክነገስ ሓሲቡ ነበረ፡ ብምኽንያት ሞት ኣቡኡ ዳዊት ሰለዘይጠዓሞ (ሰለዘይሰመረሉ) ሰሎሞን ነገሠ፡

ሰሎሞን ኣብ መበል 12 ዓመቱ ንግሥነት ተቐበለ፡ ሰሎሞን ዝበልያ ጎብስተ መና። ዝሰትዮ መስተ ወይነ ቃና ስለዝነበረ ጥሜት ዝበሃል ኣይፈልጥን ነበረ፡ ለማኒ ከምዘሎ'ውን ይፈልጥ ኣይነበረን'ሞ። ሓደ መዓልቲ ንሱ ኣብ ኣደራሹ ከሎ ሓደ ለማኒ መጺኡ ጠጠው ኢሉ ክልምን ረኣየ፡ "እዚ እንታይ ዝኾነ እዩ" ኢሉ ሓተተ፡ "ዝብላዕ ዝሰኣነ። ወላ ሓደ ነገር ዘይብሉ እዩ" በልዎ፡

ሰሎሞን ኣብ ዘመነይ ዝጠመየ። ዝተሸገረ ስለ ዘየለ ሰላዪ ከይኮነ ስለ ዘይተርፍ ገሪፍኩም(ቀጺዕኩም) ኣባርርዎ" በሎም፡ ገሪፎም ከኣ ኣባረርዎ፡ ሽዑ እቲ ድኻ ሰብኣይ ብኽርማጅ ኣግሪፉኒ ኢሉ ሓዘነ። ኣምሪሩ በኽየ፡ ሰሎሞን ኣብ ሣልሳይ መዓልቱ ሰብነቱ ማይ ክሕጸብ። እታ ናይ ዕንቁ ቀሌቤቱ ስም ኣምላኽ ዝተጻሕፋ ማይ ምእንቲ ከይትጥልቂ ኣብ መንበሩ ኣቐሚጥዋ ከደ፡ ካብ ብዝሒ ጥበቡ ዝተላዕለ ኣብ ቤተ መንግሥቱ ሾብዓተ ሚእቲ (700) ኣጋንንቲ ይነብሩ ነበሩ፡ እዞም ኣጋንንቲ እዚኣቶም ንሰሎሞን ከጥፍእዎ ይደልዩ ስለዝነበሩ። ነታ ቀሌቤት ናብቲ ቀላይ (ባሕሪ) ደርብዮም ኣብቲ መንበር ተቐሚጦም ክፈርዱ ጀመሩ፡ ነታ ቀለቤት ድማ ሓደ ዓሣ ተቐቢሉ ወሓጣ፡

ሰሎሞን ተሓጺቡ ምስ ወጽኣ ኣብታ መንበር ተቐመጠ'ሞ። እቶም ኣጋንንቲ "ካበይ ዝመጻእካ ኢኻ" ኢሎም ገሪፎም ኣባረርዎ፡ ሰሎሞን ናይቲ ዝገረፎ ለማናይ መርገም ስለዝበጽሖ ንሠለስተ ኣዋርሕ ከም ዝልምን ኮነ፡ ብድሕሪኡ ናብቶም ገፈፍቲ ዓሣ ከይዱ "ኣብልዑኒ። ኣስትዩኒ" እንተበሎም "ንስኻ መን ኢኻ" በልዎ፡ ንሱ ድማ "ኣነ ሰሎሞን እየ" በሎም፡ ንሳቶም ድማ ደንጊጾም ካብቲ ዓሣ እንተሃብዎ። ዓጽሚ ክግህጽ ከሎ እታ እቲ ዓሣ ዝወሓጣ ቀሌቤቱ ረኺቡ ኣብ ኣጻብዑ ምስ ወደያ። ከቢቦም "ሳይታና 1000 ዓመት ንገሥ" ኢሎም ናብ ቤተ መንግስቱ ኣእተዉዎ፡ ሰሎሞን ነቶም 700 ኣጋንንቲ ስለዝተቐየመሎም ጉድጓድ ኩዒቱ ቀበሮም፡

ብድሕሪኡ ካብ ዝውለድ ኣብ መበል 17 ዓመቱ ካብ ዝነግሥ ድማ ኣብ ሓሙሻይ ዓመቱ "እዚ ዘመሓድሮ ዘለኹ ሕዝቢ ተኻሲሱ እንተመጸኒ እንታይ ኢለ ክፈርዶ እየ" ኢሉ ናብ ኣምላኽ ጸለየ፡ "ንስኻ ነቦይ ዳዊት ዓቢይ ምሕረት ገበርካሉ፡ ንዓይ ድማ ኣብ ክንድኡ ኣንገሥካኒ፡ ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኽ። እቲ ነቦይ ዳዊት ዝሃብካዮ ተስፋ ሕጂ ፈጽሞ፡ ኣብ ከም ሓመድ ምድሪ ዝምብዝሑ ሕዝቢ ኣንገሥካኒ፡ ነዚ ዓብዪ ሕዝቢ መን

ከማሓድሮ ይኽእል።" እምበኣርሲ ነዚ ሕዝቢ እዚ ከመሓድር ምእንቲ ክኽእል ዘስተውዕል ልብን ፍልጠትን ሃበኒ።" ድማ በለ፡ ኣምላኽ ድማ ንሰሎሞን "ባህግኻ እዚ ካብ ኮነ። ሃብትን መዛግብትን ክብረትን ወይ ነብሲ ጸላእትኻ። ወይ ነዊሕ ዕድመ ስለዘይለመንካ። ኣብ ክንድኡስ ነዚ ኣብ ልዕሊኡ ዘንገሥኩኻ ሕዝበይ ምምሕዳር መታን ክትክእል'ሲ ዝስተውዕል ልብን ፍልጠትን ሂበካ ኣለኹ። ቅድሜኻ ንዝነበረ ንጉሥ ከምኡ ዝበለ ዘይነበሮ። ብድሕሪኻ ዝትንሥእ ዘበለ'ውን ከምኡ ዝበለ ዘይርከቦ ሃብትን መዛግብትን ክብረትን ክህበካ እየ" በሎ፡ (2ዜና1።8-12)
(1ነገ3።7-15)
ሽዑ ክልተ ኣመናዝር ኣንስቲ መጺአን ኣብ ቅድሚኡ ደው በላ፡ እታ ሓንቲ ሰበይቲ "ኦ ጎይታይ። ኣነን እዛ ሰበይቲ እዚኣን ኣብ ሓንቲ ቤት ኢና እንነብር፡ ኣብታ ቤት ብሓንሳብ ከሎና ከኣ ወዲ ወለድኩ፡ ንሳውን'ኣብ ሳልስተይ ወዲ ወለደት፡ ኣብታ ቤት እቲኣ ብዘይካ ክልቴና ካልኣ ሰብ ኣይነበረን፡ ወዳ ከኣ ጸቒጣቶ ስለዝደቀሰት ሞይቱ ሓደረ፡ ፍርቂ ለይቲ ተንሢኣ ድማ ኣነ ደቂሰ ከለኹ ነቲ ወደይ ካብ ሕቕፈይ ወሲዳ ኣብ ሑቕፋ ኣደቀሰቶ፡ ነቲ ምዉት ወዳ ከኣ ኣብ ሑቕፈይ ኣደቀሰቶ፡ ወደይ ኬጥቡ ኢለ እንተተንሣእኩ ሞይቱ ጸኒሑኒ፡ ምስ ረኣኽዎ ግን ዘይወደይ ምኻኑ ፈለጥኩ"፡ እታ ካልኣይቲ ሰበይቲ ከኣ "ኣይፋል እዚ ብሂወቱ ዘሎ ወደይ እዩ፡ ወድኺ እቲ ምዉት እዩ" በለት፡ በዚ ድማ ኣብ ቅድሚ ሰሎሞን ተኸራኸራ፡ ሽዑ ሰሎሞን "ሴፍ ኣምጹእኩም ነቲ ሕፃን ኣብ ክልተ ቆሪጽኩም ፈፍርቀን ሃብወን" ኢሉ ኣዘዘ፡ ሽዑ እታ ኣደ እቲ ሕፃን "ኦ ጎይታይ ሰሎሞን። ንሳ ተዕብዮ ሃብዋ እምበር ኣይተቕተልዎ" ኢላ ተዛረበት፡ እታ ካልኣይታ ከኣ "ኣይንዓይ ኣይንዓኺ ቀሪጽዎ ደኣ" በለት፡ ሰሎሞን ድማ "እቲ ሕፃን ነታ ቀዳመይቲ ሰበይቲ ሃብዋ፡ ንሳ እያ ኣዲኡ" በለ፡ እስራኤላውያን ከኣ ነዚ ፍርዲ እዚ ርእዮም ኣኽበርዎ፡ (1ነገ 3።16-27)
ሰሎሞን ካብ ብዝሒ ጥበቡ ዝተላዕለ ንቤተ መንግሥቱ፡ ኣብ 13 ዓመት ዝኣክል ኣዝዩ ዘደንቕ ገይሩ ሰርሐ (1ነገ 7።1-22)፡ ከምኡውን ቤት መቕደስ ኣምላኽ ኣብ ውሽጢ 40 ዓመት ኣዝዩ ኣደናቒ ገይሩ ሃነጸ፡ ሰሪሑ ምስ ፈጸሞ ድማ "ካብ ምብዝሐን ዝተላዕለ ክቕጸራ ዘይከኣላ ኣባጊዕን ኣሓን ሓረደ" (2ዜና 5።6-7)

**<u>ጸሎት ሰሎሞን</u>**

ሰሎሞን ከኣ ኣብ ቅድሚ መሰውኢ እግዚኣብሔር ቆይሙ ክጽሊ ኣእዳዉ ዘርገሐ፡ "ሕጂ ድማ ኢ ኣግዚኣብሔር ኣምላኽ እስራኤል ነቦይ ዳዊት ከምቲ ንስኻ ብትእዛዛተይ ዝነበርካ ደቅኻ'ውን ብትእዛዛተይ እንተነበሩ ኣብ ቅድመይ ኣብ ዝፋን እስራኤል ዝቕመጥ ሰብ ኣይከቋርጽን እዩ ኢልካ ዝተዛረብካዮ ሓሉ፡ እቲ ንባርያኻ ደዊት ዘተስፈኻዮ ተስፋ ፈጽሞ፡ ኣብዛ ቤት መቕደስ እዚኣ ስመይ ኣብኣ ክኸውን እዩ ዝበልካያ ቦታ ኣዒንትኻ ለይትን መዓልትን ይጠምታ፡ ነቲ ኣነ ባርያኻ ኣብዛ ቦታ እዚኣ ዝጽልዮ ጸሎትኻን ስማዕ፡ ሰሚዕካ ውን ይቕረ በል፡ ... ንዓኻ ስለዝበደሉ ሰማይ እንተተዓጽወ። ዝናብ ከኣ እንተዘይዘነበ እሞ ኣብዛ ቦታ እዚኣ ድማ እንተጸለዩ። ንስምካ እውን እንተኣኽበሩ። ካብ ሓጢኣቶም እንተተመልሱ። ንስኻ ኣብ ሰማይ ኮይንካ ስማዕ፡ እታ ዝኸድዋ ጽብቕቲ መንገዲ ኣርእዮም፡ ሓጢኣት ባሮትካ ሕዝቢ እስራኤል ይቕረ በል፡ ንምድሪ ድማ ዝናብ ሃባ፡ ኣብ ሃገር ጥሜት። ፈራ። ዋግ። ሃጉ። ኣንበጣ። ባርኖስ እንተመጸ ወይ ጸላኢ ኩተማታት እንተኸበበ ወይ ዝኾነ መዓት። ሕማም እንተመጸ ነፍሲ ወከፍ ብልቡ ጉህዩ ብጸሎትን ምህለላን ኣእዳዉ ናብዛ ቤት መቕደስ እዚኣ ኣቢሉ እንተዘርገሐ ጸሎት ስማዕ፡"
"ሰብ ኮይኑ ዘይብድል የልቦን እሞ ሕዝብኻ እንተበደሉኻ ንስኻ ድማ ተቖጢዕካ ንጸላኢ ኣሕሊፍካ እንተሃብካዮም። ብልቦም እንተተጣዕሱ ናባኻ እንተተማህለሉ። ጸሎቶምን ምህለላኦምን ሰሚዕካ ምሕረት ግበረሎም፡ ነቶም ዝበደሉኻ ሕዝቢ ድማ በደሎም ሕደገሎም፡" (2ዜና 6።12-41)
ሽዑ እግዚኣብሔር ኣምላኽ "ጸሎትካ ሰሚዐ ኣለኹ፡ ነዛ ቦታ እዚኣ ውን ቤት መስዋእቲ ክትኮነኒ ሓርየያ ኣለኹ፡" (2ዜና 7።12-13)

“ሕጂ ድማ ነዛ ቤት መቕደስ እዚኣ ሕዝበይ ንዘልዓለም ኣብኣ ከምልኹኒ ሓርየያን ቀዲሰያን ኣለኹ፡ ኣነ ከኣ ኩሉ ግዜ ክሕልዋን ክሓልየላን እየ፡” (2ዜና 7፡16-17)

## ናይ ሰሎሞን ጌጋ

ሰሎሞን ምስ ዓበየ (ሽምገለ) ኣይትተሓወስዎም። ኣይትዋሰብዎም ዝተባህሉ ሞኣባውያንን ኣሞናውያንን ኣንስቲ ፍቕሪ ተታሕዘ (ተጣበቐ)፡ ንጣያት ከም ዝሰግድ ከኣ ገበራኡ፡ 700 ነገሥታት ኣንስትን 300 ኣንስቲ ወሰንን ነበራኡ፡ ንሳተን ከኣ ካብ ኣምላኽ ከምዝዓሉ ገበራኡ፡ ስለዚ ከኣ እግዚኣብሔር ንሰሎሞን “ሕማቕ ስለዝገበርካ። እቲ ዝኣዘዝኩኻ ኪዳነይን ሕግታተይን ድማ ስለዘይሓለኻዮ ነዛ መንግሥት ብርግጽ ካባኻ ወሲደ ንጊልያኻ ኢዮርብዓም ወዲ ናባጥ ክህቦ እየ፡ እዚ ግና ምእንቲ ኣቦኻ ዳዊት ኣብ ዘመንካ ኣይገብሮን እየነታ-መንግሥቲ ካብ ኢድ ሮብኣም ወድኻ እየ ዝወስዳ፡ ግናኸ ብኹላ ኣይወስዳን እየ፡ ምእንቲ ባርያይ ዳዊትን ምእንቲ እታ ዝሓረኹዋ ኢየሩሳሌምን ኢለ ንወድኻ ሓደ ነገድ ክህቦ እየ” በሎ፡ (1ነገ 11፡1-13)

ሰሎሞን ሽምጊሉ ዕድመ ጸጊቡ 40 ዓመት ነጊሡ ኣብ 83 ዓመት ዕድሚኡ ኣዕረፈ፡

መጽሓፈ ስንክሳር ግን 23 ሰኔ ወዲ 53 ዓመት ምስ ኮነ ኣዕረፈ ይብል፡ ምስ ኣቦኡ ዳዊት ከኣ ተቐብረ፡ መንግሥቱ ከኣ ኣብ ክልተ ተመቕለት፡

ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኩልና ሕዝበ ክርስትያን ይኹን

- ሰላም ለሰሎሞን ዘእክለ ኣእምሮ ሲሳዩ፡
- ወንዋየ ጥበብ ንዋዩ፡
- ዝንቱ ንጉሥ ከመ ይብል በመኃልዩ፡
- በወርኃ ክርስቶስ ፃኡ ተረአዩ፡
- ጎበ አውያን ጸገዩ ወሮማን ፈረዩ፡

ምንጭ = ስንክሳር ዕለት ፴፬ ሰኔ

= የቅዱሳን ታሪኽ 1994 ዓ.ም አ.አ.ኢ

## ነቢይ ሆሴዕ ወዲ ብኤርም

ሆሴዕ ማለት መድኃኒት ማለት ክኸውን ከሎ ስም ኣቡኡ ብኤርም ይብሃል፡ ብትእዛዝ እግዚኣብሔር ሓንቲ ኣመንዝራ ጎሜር ጓል ቤዴልይም ተመርዕዩ ኢእስራኤል ዝተባህለ ወዲ ወለደ፡ ትርጉሙ ናይ ሕዝበ እስራኤል ወቐሳ ኮይኑ “እስራኤል ኣይኮነን” ማለት እዩ፡ ከምዚ ከብሎ ዝኸኣለ ከኣ እግዚኣብሔር ንእስራኤል ሕዝበይ ብምባል እዚ ኩሉ ካብ መግዛእቲ ኣውጺኡ 40 ዓመት ካብ ሰማይ መና መጊቡ ዝኣሊ ገዲፎም ናብ ጣየታት ስለ ዘምለኹ እዩ፡

ደጊሙ ውን ጓል ወለደ፡ ንኣኣ ውን ልክዕ ከምቲ ናይ’ቲ ወዲ ብዝመሳሰል ስም ሰመያ ማለት “ኢ-ሥህልት” በላ፡ (ምሕረት ዘኣልባ) ምሕረት ዘይብላ (ምሕረት ዝበሃል ዘይትፈልጥ) ማለት እዩ፡ ሕዝበ እስራኤል “ስለምንታይ ኢ-ሥህልት ኢልካያ” እንተበልዎ። “ንስኻትኩም ምሕራት ተባሂልኩም ከተብቅዑ ምሕረት ኣይንደልን ኢልኩም ጣየት ስለ ዘምለኽኩም ኢ-ሥህልት ኢለ ሰምየያ” በለ፡

ሳልሳይ ወዲ ውን ወለደ’ሞ ንዕኡ ውን ብትመሳሳሊ “ኢ-ሕዝብየ” ኢሉ ሰመዮ፡ ሕጂ ውን “ስለምንታይ ኢ-ሕዝበየ ኢልካ ስም ኣውጺእካሉ” እንተበልዎ። ነቢይ ሆሴዕ “ንስኻትኩም ሕዝበ እግዚኣብሔር ትበሃሉ ዝነበርኩም ኃጢኣት ሰሪሕኩም። ጣየት ኣምሊኽኩም። ሕዝበይ ኣይኮንኩምን ናይ ምባልኩም ኣብነት ኢለ እየ ኢ-ሕዝበየ ሰምየዮ ዘለኹ” በለ፡ “ወበልዎ ለእኁክሙ ሕዝብየ። ወለእህትክሙ ሥህልት”፡ “ነቲ ኢ-ሕዝብየ ዝተባህለ ወደይ ሓውኹም ሕዝበይ በልዎ፡ ነታ ኢ-ሥህልት ዝተባህለት ጓለይ ሓብትኹም ከኣ ምሕረት ዘለዎ ኢልኩም ጸውዕዋ” በሎም፡

ነቢይ ሆሴዕ ንእስራኤል ቢታ ኣመንዝራ ሰበይቲ ከም ዘመሳሰሎም እግዚኣብሔር ብነቢይ ሆሴዕ ገይሩ ንእስራኤል ክዛረብ ምስ ጀመረ። ንነቢይ ሆሴዕ “እታ ሃገር እስራኤል ንዓይ ክሒዳ ንጣያት ተምልኽ ኣላ እሞ። ንስኻ ከኣ ኪድ ኣመንዝራ ሰበይቲ ኣእቱ፡ ካብኣ ድማ ዘመውቲ ውሉድ ውለድ” በሎ፡ በዚ ምኽንያት ከኣ እዩ ንጎሜር ዝተመርዓዋ፡

## ጎሜር ንነቢይ ሆሴዕ ከም ዝኸሓደት

ቤት እስራኤል ከኣ ንእግዚኣብሔር ከም ዝኽሓደት ብምሳሌ ክናገር ከሎ ከምዚ ይብል “ደቀይ ድሕሪ ሕጂ ኣዴኹም ሰበይተይ ኣይኮነትን፡ ኣነ ውን ሰብኣያ ኣይኮንኩን እሞ። ምንዝርንኣን ዝሙታን ክትገድፍ ለምንዋ፡ እንተዘይኮነስ ጥራሕ ነፍሳ። ዕርቃና ክቐልዓ እየ፡ ብጽምኢ ማይ ድማ ክቐትላ እየ፡ ንስኻትኩም ድማ ደቃ ደቂ ምንዝርና ኢኹም እሞ ኣይምሕረኩምን እየ፡ ኣዴኹም መንዚራ እያ፡ ንዓኻትኩም ውን ብነውሪ ኢያ ዝጠነሰትኩም፡ ንሳ ደድሕሪ እቶም እንጌራይን ማየይን ጸምረይን ሃረይን ዘይተይን መስተይን ዝሀቡኒ ፈተውተይ መምለኽቲ ጣያት ክኸይድ እየ በለት፡ ስለዚ ንሳድናታታ ብእሾኽ ክሓጽሮ። መንገድታታ ከይትረኽቦ ከኣ መንደቕ ነዲቕ ክዓግታ እየ፡ ደድሕሪ ፈተውታ ክትነዪ ግና'ኸ ኣይከተርክቦምን። ክትደልዮም ግና'ኸ ኣይክትረኽቦምን እያ፡ ሽዑ ንሳ ሎሚ ደጊም ናብቲ ናይ ቅደም ፈጣሪየይ (ሰብኣየይ) እግዚኣብሔር ክምለስ እየ ክትብል እያ” እናበለ ንቤት እስራኤል ብኣመንዝራ ሰበይቲ ገይሩ መሃረ፡

## ነቢይ ሆሴዕን እታ ካልኣይቲ ኣመንዝራ ሰበይቲ ቤተ ይሁዳን

እግዚኣብሔር ከኣ ኪድ እሞ ከም ብሓድሽ ንሓንቲ ምስ ፈተውታ እትዝሙ ሰበይቲ ፍቶ በለኒ፡ ንሱ ከኣ ብ15 (ዲናር) ብሩርን ብሓደ ኩንታልን ፈረቓን ስገም ሂቡ ተሓጽያ፡ “ንብዙሕ መዓልታት ተጸበይኒ ኣይትመንዝሪ ንኻልእ ሰብኣይ ኣይትኽኒ፡ ኣነ'ውን ክጽበየኪ እየ” በላ፡
ከምኡ ከኣ ደቂ እስራኤል ብዘይ ንጉሥን ሓለቓን መስዋዕትን ምስልን ኤፎድን ተራፊምን ብዙሕ መዓልታት ክቕመጡ እዮም፡ ደሓር እዚ ኩሉ ምስ ረኣዩ ግን ናብ እግዚኣብሔር ዝምለሱለን መዓልታት ክመጻ እየን፡ ሽዑ ንእግዚኣብሔር ኣምላኾም ክፈርሕዎ እዮም፡ በረኽቱ ድማ ክቕበሉ እዮም ኢሉ ተነበየ፡
ነቢይ ሆሴዕ ኣብ ዘመን፣ ይሁዳን ኣዝያን። ኢዮኣታምን ኣሃዝን ሕዝቅያስን ነጊሶም ከለዉ። ኣብ እስራኤል ከኣ ኢዮርብዓም ወዲ ዮኣስ ነጊሡ ከሎ እዩ ብእግዚኣብሔር ዝተጸውዐ፡ 14 ምዕራፋት ዘለዎ መጽሓፍ ከኣ ጽሒፉ ኣሎ፡

## ነቢይ ኢዩኤል ወዲ ባቱኤል

ኢዩኤል ማለት ናይ እግዚኣብሔር ጎሩይ ማለት ክኸውን ከሎ። ኣቡኡ ባቱኤል ኣዲኡ መርሱላ ይብሃሉ፡ ነገደ ትውልዱ ካብ ነገድ ሮቤል እዩ፡ ዝተነበየሉ ዘመን ኣብ ዘመን ንጉሥ ኢዮኣታም እዩ፡
እዚ ነቢይ እዚ 3 ምዕራፋት ዝሓዘ ንሕዝቢ ክንሳሕን ብብኽያት ክምህለልን ናብ ኣምላኽ ክምለስ ከም ዘለዎን ኣስፊሑ ዝመሃረ ነቢይ እዩ፡ “ዘኣትረፈ ዕፄ በልዓ ኣንበጣ። ወዘኣትረፈ ኣንበጣ በልዓ ደጎብያ። ወዘኣትረፈ ደጎብያ በልዓ ኣናኩዕ ነስሑ እንከ እለ ትሰትዩ ወይነ” ይብል፡ ማለት ነቲ ሓሰኻ (ቴልጌል) ዝተረፈ ኣንበጣ (ሰልምናሶር) በልዖ፡ ነቲ ካብ ኣንበጣ (ሰልምናሶር) ዝተረፈ ከኣ ኩብኩብታ (ናቡከደነጾር) በልዖ፡ ነቲ ካብ ኩብኩብታ (ሰልምናሶር) ዝተረፈ ። _____ (ናቡከደነጾር) ከጥፍኦ እዩ ኢሉ ብምሳሌ ተነበየሎም፡ ስለዚ ኣቱም ወይኒ እትሰትዩ ተመሊሱ። ተነስሑ ይብል፡ ኢዩ 1።4-5 “ንፍሑ ቀርነ በጽዮን። ቀድሱ ጸመ ወስበኩ ምህላ። ኣስተጋብዑ ሕዝበ ወቀድሱ ማኅበረክሙ። ጎረዩ ሊቃውንተ ወኣስተጋብዑ ሕፃናተ እለ ይጠብዉ ጥበ። ይፃዕ መርዓዊ እምጽርሑ። ወመርዓት እመንጣለዕታ። ወይብክዩ ሕፃናት እለ ይሠውዑ ወይብሉ መሐክ እግዚኦ ሕዝብከ። ወኢትሕሥር ርስትከ። ከመ ኢይጸንሕዎሙ ኣሕዛብ ወኢይበሉ ኣይቴ ይእቲ ኣምላኮሙ”፡ ኣብ ጽዮም መለኽት ንፍሑ። ጸም ኣውጁ። ኣኼባ ጸውዑ። ንዓበይትን ኣብታ ሃገር ንዝነብሩ ኩላቶምን ናብ ቤት መቕደስ እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ኣክብዎም፡ ናብ እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ኣክብዎም፡ ናብ እግዚኣብሔር ከኣ ተማህለሉ፡ ነቶም ዝጠብዉ ሕጻናት ከኣ ኣክብዎም፡ መርዓዊ ካብ ሕጽኖቱ። መርዓት ካብ መጋረጃኣ ወጺኣም ይብከዩ፡ እቶም መስዋዕቲ ዘቕርቡ ካህናት ንሕዝብኻ ራሕርሕ ይበሉ” ኢሉ ዝመሃረ ነቢይ እዩ፡

## ነቢይ ኣሞጽ

ኣሞጽ ማለት ብእግዚኣብሔር ዝጸንዐ ማለት ኮይኑ። ኣቡኡ ቴና ኣዲኡ ድማ ሚስታ ይብሃሉ፡ ትውልዱ ካብ ነገደ ስምዖን እዩ፡ ኣብ ናይ ቴቁሄ ኣውራጃ ኣቃሪም እትብሃል ብዘመን ያዝያን ንጉሥ ይሁዳን ኢዮርብዓም ወዲ ዮኣስ ንጉሥ እስራኤልን እግዚኣብሔር ንነቢይ ኣሞፅ ብዛዕባ እስራኤል ሃብተ ትንቢት ገለጸሉ፡

“እስመ ኣልቦ ዘይገብር እግዚኣብሔር ዘኢከሠተ ወዘኢትገረ ለኣግብርቲሁ ነቢያት”፡ “እግዚኣብሔር ኣምላኽ’ሲ ምሥጢሩ ንባሮቱ ነብያት ከይገለጸሎም ገለ እኳ ኣይገብርን እዩ”፡ ኣሞ 3።7-8

እግዚኣብሔር ኣምላኽ ንሕዝቢ እስራኤል “ድለዩኒ እሞ ብሕይወት ክትነብሩ ኢኹም” ኢሉ ብዛዕባ ለዋህነት እግዚኣብሔር ዝመሃረ ዓቢይ ነቢይ እዩ፡ ኣሞ 5።4-6 እዚ ነቢይ እዚ 9 ምዕራፍ ዝሓዘ መጽሓፍ ጽሒፉ ኣሎ፡

ነቢይ ኣሞጽ ዓሳ ማል ዝነበረን። ብዘመን ዳግማዊ ኢዮሮብዓም ብነብይነት ኣገልገለ፡ ኣብ እስራኤልን ሰማርያን ኮይኑ ይንበ ነበረ፡ ነቢይ ኣሞጽ ብጣዕምን ሸለልትነትን ንዝነብሩ ሕዝቢ ሰማርያ ብጽኑዕ ይግስጾም ነበረ፡

ቀንዲ ትንቢቱ ከኣ እስራኤልን ከባቢኣን ብሰንኪ ሓጢኣቶም ከም ዝፍረዱ። ከምኡ ውን ክንስሑ መዓዶም፡ ከምኡ ከኣ መዓልቲ ሰላምን ምድሓንን ከኣ እትመጽእ ተነበየ፡

## ነቢይ ኣብድዩ ወዲ ኣኪላ

ኣብድዩ ማለት ገብረ እግዚኣብሔር ማለት ክኸውን ከሎ። ኣቡኡ ኣኪላ ኣዲኡ ስፍጣ ይብሃሉ፡ ነገዱ ካብ ነገደ ኤፍሬም እዩ፡ እዚ ነቢይ እዚ ናይ ንጉሥ ኣክኣብ ናይ ቀረባ ሓላፊ መንግሥቱ ዝነበረ ኮይኑ። ኣብቲ ኤልዛቤል ንነቢያት እግዚኣብሔር ትቐትልሉ ዝነበረት ዘመን ሓደ ሚእቲ (100) ዝኾኑ ነብያት ብብሓምሳ (50) ኣብ በዓቲ ሓቢኡ ምግቦምን ማዮምን እናኣምጽኣ ዝምግብ ዝነበረ እዩ፡ 1ነገ18።1-15 ተመልከት፡

ከምኡ ውን ናይ ንጉሥ ኣካዝያስ ናይ ሓምሳ ወተሃደራት ሓላፊ ኣብ ዝነበረሉ። ድሕሪ ሞት ኣከኣብ ሃገር ሞኣብ ናብ እስራኤል ዓለወት፡ ንጉሥ ኣካዝያስ ከኣ ካብታ ኣብ ሰማርያ ዘላ ደርቢ ቤቱ ብመስኮት ጸዲፉ ተሃስየ፡ ሸዑ ልኡኻት ሰዲዱ “ኪዱ እሞ ዝሓዊ እንተኾይነ ንኣቃሮን ጣያትን። ነቲ ሃመማ ካህነ ጣያትን ሓቲትኩምለይ ምጹ” በሎም፡

ግናኸ መልኣኽ እግዚኣብሔር ንነቢይ ኤልያስ ቴሰብያዊ “ተንስእ እሞ ነቶም ልኡኻት ንጉሥ ሰማርያ ከትቀባበሎም ደይብ። እቱም ንኣቃሮን ኣምላኽ ክትሓቱ ትኸዱ ዘለኹም’ሲ ኣብ እስራኤል’ዶ ኣምላኽ የልቦን እዩ፧ ስለዚ ከኣ ርግጽ ትመውት እምበር ካብቲ ደይብካዮ ዘለኻ ዓራት ኣይትወርድን ኢኻ ይብል ኣሎ እግዚኣብሔር በሎም” ኢሉ ተዛረቡ፡

ነቢይ ኤልያስ ከኣ ከምቲ እግዚኣብሔር ዝኣዘዞ ገበረ፡ እቶም ልኡኻት ድማ ናብ ንጉሥ ኣካዝያስ ተመሊሶም እቲ ነቢይ ኤልያስ ዝበሎም ኩሉ ነገርዎ፡ “እቲ ከምዚ ዝበለኩም ሰብኣይ ከመይ ዝበለ እዩ፧” በሎም፡ ንሳቶም ከኣ “ማኾ ዝተኸድነ ኣብ ሕቑኡ ከኣ ፈልቂ ዝተዓጥቀ ሰብኣይ እዩ” በልዎ፡ እቲ ንጉሥ “ንሱ ነቢይ ኤልያስ እዩ” በለ፡

ሸዑ ንጉሥ ኣካዝያስ ሓደ ሓለቓ ሓምሳ ምስቶም ሓምስኡ ገይሩ ሰደደሉ፡ እቲ ሓለቓ ሓምሳ ከኣ ነቢይ ኤልያስ ኣብ ርእሲ ኩርባ ኮፍ ኢሉ ነበረ እሞ “ኣታ ናይ ኣምላኽ ሰብ ንጉሥ ኣካዝያስ ውረድ ይብለካ ኣሎ” በሎ፡ ነቢይ ኤልያስ ድማ ነቲ ሓለቓ ሓምሳ “ኣነ ናይ ኣምላኽ ሰብ እንተኾይነስ ሓዊ ካብ ሰማይ ይውረድ። ንዓኻን ነዞም ሓምሳ ወተሃደራትካን ድማ ይብላዕኩም” ኢሉ መለሰሉ፡ ሸዑ ሓዊ ካብ ሰማይ ወሪዱ ንዕኡን ነቶም ሓምሳኡን በልያም፡

ንጉሥ ኣካዝያስ ከኣ መሊሱ ካልእ ሓለቓ ሓምሳ ምስ ሓምሳ ወተሃደራት ለኣኸሉ፡ ንሱ ውን ልክዕ ከምቲ ቀዳማይ ሓለቓ ሰራዊት ብሓዊ ሞተ፡ ንሳልሳይ ግዜ ንሓለቓ 50 ኣብድዩ 50 ወተሃደረት ኣኸቲሉ ለኣኸ፡ ንሱ ናብ ነቢይ ኤልያስ ከይዱ ሰጊዱ “ትክበር ነፍስየ በቅድሜከ ዮም”፡ “ኣታ ናይ ኣምላኽ ሰብ በጃኻ ንዓይን ነዞም ሓምሳ ኣናሕስየልና፡ ብሕይወት እውን ሕደገና፡ እንሆ ነቶም ቀዳሞት ክልተ ሓላቑ 50 መምስ ሓምሳኡም ሓዊ

ካብ ሰማይ ወሪዱ በልያም፡ ሕጂ ግና ንዓይ ኣናሕስየለይ። ብሕይወት ሕደገኒ" ኢሉ ለመኖ፡ እቲ መልኣኽ እግዚኣብሔር ንነቢይ ኤልያስ "ምስኡ ውረድ እሞ ኣይትፍራህ" ኢሉ ተዛረቦ፡ ወሪዱ ከኣ ናብ ንጉሥ ከደ፡

ኑቲ ንጉሥ ድማ "እቲ ንበዓል ዜቡብ ኣምላኽ ኣቃሮን ክትሓትት ልኡኻት ዝሰደድካስ። ኣብ እስራኤል'ዶ ኣምላኽ የልቦን እዩ፧ ስለዚ ክትመውት ኢኻ እምበር ካብዚ ደይብካዮ ዘሎኻ ዓራት ኣይክትወርድን ኢኻ ይብል ኣሎ እግዚኣብሔር" ኢሉ ተዛረቦ፡ ከምቲ እግዚኣብሔር ብነቢይ ኤልያስ ገይሩ ዝተዛረቦ ንጉሥ ኣካዝያስ ሞተ፡

ነቢይ አብድዩ ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ 586 ዝነበረ ነቢይ እዩ፡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ሓንቲ ምዕራፍ ጽሒፉ ኣሎ፡

## ነቢይ ዮናስ

ዮናስ ኣቡኡ ኣማቴ። ኣዲኡ ከኣ ሶና ይበሃሉ፡ ነገዱ ከኣ ካብ ነገደ ይሳኮር እዩ፡ ዮናስ ማለት ርግብ ማለት እዩ፡ ጎይታ ተንሲእካ ናብ ነነዌ ኬድካ ስበኽሎም በሎ፡ ማለት ድሕሪ 3 መዓልቲ እንተዘይተነሲሕኩም ክትጠፍኡ ኢኹም ኢልካ ንገሮም፡ ሽዑ ነቢይ ዮናስ "ንስኻ መሓሪ ርሕሩሕ ኢኻ። እቲ እሳት ከይወረደ እንተተረፈ ነቢየ ሓሶት ክበሃል እየ" ኢሉ ስኞ በለ፡

ጎይታ ከኣ "ኪድ እንድየ ዝብለካ ዘለኹ" ኢሉ መሊሱ ገሠጸ፡ ዮናስ ማለት የዋህ ማለት ስለዝኾነ ኣብ ቅድሚኡ ስለዝረኣየኒ እኮ እዩ ኢሉ ካብ ገጽ እግዚኣብሔር ብምህዳም ክሕባእ ፈተነ፡ ሽዑ ናብ ሃገረ ኢዮጴ እትኸይድ መርከብ ረኺቡ ተሰማሚዑ ተሰቒሉ ክኸይድ እግዚኣብሔር ብርቱዕ ማዕበል ብምልዓል እታ መርከብ ክትስበር ዓጠጥ ዓጠጥ በለት፡ እቶም ተሳፈርቲ ነታ መርከብ ጽዕነት ዝኸበዳ መሲልዎም ኣቑሕቶም ናብቲ ባሕሪ ምድርባይ ጀመሩ፡ ኣብዚ እዋን እዚ ዮናስ ኣብ ውሽጢ ከርሠ ሐመር ደቂሱ ይሕርንኽ ነበረ፡

እቲ መራሒ መርከብ ተንሢኡ ንነቢይ ዮናስ "ሕዝቢ ከተድሕን ተንሢእካ ስም ፈጣሪኻ ጸውዕ" በሎ፡ ነቢይ ዮናስ "ወሪድኩም ዘሎ መከራ ብናተይ ምኽንያት ስለዝኾነ ንዓይ ኣልዒልኩም ናብዚ ባሕሪ ደርብዩኒ" በሎም፡

ንሳቶም "ምንት ተግባርክ"፡ "ስራሕካ እንታይ እዩ፧ እንታይ ኢኻ እተምልኽ፧ ኣበይ እዩ ሃገርካ፧ ቤተሰብካ'ኽ በዓል መን እዮም፧" በልዎ፡

ንሱ ከኣ "ኣነ እብራዊ እየ፡ ዘምልኾ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ ኣምላኽ እዩ" ምስ በሎም ብጣዕሚ ፈርሑ፡ ኣልዒልና እንተደርበናዮ ዕዳ ክኾነና እዩ ብምባል። ዕንጨይቲ (ዕጸ) ኣውደቑ፡ እታ ዕጸ ውን ናብ ነቢይ ዮናስ በጽሐት፡ ሽዑ ኣልዒሎም ናብ'ቲ ባሕሪ ደርበይዎ፡ ዝተኣዘዘ ዓሳ ነባሪ (ኣንበሪ) ተቐቢሉ ወሓጠ፡ እቲ ዝነበረ ሞገደን። ማዕበልን ከኣ ጸጥ በለ፡ ኣብ መበል ሳልሳይ መዓልቲ ኣብቲ መእተዊ ሃገር ነነዌ ወሲዱ ተፍኡ፡

ነቢይ ዮናስ "እዛ ሃገር መን ትበሃል፧" ኢሉ እንተሓተተ። "ነነዌ ትበሃል" በልዎ፡ እዚኣ እታ እግዚኣብሔር ዝበለኒ ሃገር እያ ኢሉ። "እስከ ሰሉስ ዕለት ትትገፈታዕ ነነዌ" እናበለ ክሰብኽ ጀመረ፡ ናይ ነነዌ ንጉስ ሰልምናሶር ይብሃል፡ ቆልዓ ምስ ኣዲኡ። ምራኽ ምስ ኣዲኣ ከይራኸቡ። እንስሳ ውን ናብ መሮር ሳዕሪ ክበልዑ ኣይውፈሩ" ኢሉ ኣዋጅ ነገረ፡ ሰባት ውን ምንጻፍ ለቢሶም ሓምኽሽቲ ነስኒሶም ንስሓ ኣተዉ፡ እግዚኣብሔር ከኣ ብዓይኒ ምሕረቱ ጠመቶም፡

ነቢይ ዮናስ ግን እሳት ብዘይ ምውራዱ ጐሃየ፡ "ቀደሙስ ኣብ ሃገረይ ከሎኽ'ዶ ተዛሪበ ኣይነበርኩን፡ ነቢየ ሓሶት ተባሂልካ ካብ ምንባር ምማት ይሕሸኒ" በለ፡ ሽዑ ጐይታ ንዮናስ "እሳት ብዘይ ምውራዱ ጐሂኻ" በሎ፡ ንሱ እወ በለ፡ ከምዚ ምስ በለ ንግዚኡ እሳት ዝወርድ መሲልዎ ካብ ከተማ ናብ ወጻኢ ወጺኡ ኣጉዶ ሰሪሑ ተቐመጠ፡ ሽዑ እግዚኣብሔር ዋዕየ ፀሓይ ከይወቐየ ኣብ ትርኣሱ ሓንቲ ሓምሓም በቑላ ነቲ ኣጉድኡ ክትሽፍነሉ ኣዘዘ፡

ሽዑ ነቢይ ዮናስ ተሓጕሱ ጸኒሑ ደቀሰ፡ ንጽባሒቱ ዝተኣዘዘ ሓሰኻ ቆሪጹ ኣውደቓ እሞ ነቐጸት፡ እቲ ሙቐት ፀሓይ ከኣ ርእሱ ወቐየ። ሕማም መርዘን ነበረቶ እሞ ተላዕሎ፡ ሽዑ እግዚኣብሔር "ጥቂኑ ኃዘንከ በእንተ ሐምሐም ዘሌሊት በቁለት ወለሊት ማሰነት"፡ በዛ ዘይተኽልካያ። ዘይደኽምካላ። ማይ

ዘየስተኻያ። ለይቲ በቕላ ለይቲ ዝጠፍኣት ሓምሓም ብጣዕሚ ሓዚንካ” በሎ፡ ንሱ “ኣነስ ካብ ፷፫ እልፍ ዝበዝሑ። ካብ ፷፱ እልፍ ዝውሕዱ የማን ጸጋም ኢሎም ዝመላለሱ ብርቱዓት ዘለዉዋ ሃገር ነነዌ ክሓዝነላ። ክጉህየላ። ክርሕርሓላ’ዶ ኣይግብኣንን” በሎ፡ ነቢይ ዮናስ እወ ይግብኣካ እዩ ኢሉ ኣፍሪዱ ኣድሓና፡
ነቢይ ዮናስ 4 ምዕራፋት ዘለዎ መጽሓፍ ባዕሉ ጽሒፉ ኣሎ፡

## ነቢይ ሚኪያስ

ሚኪያስ ማለት መኑ ከማኻ (መኑ ከመ እግዚኣብሔር) ከም እግዚኣብሔር ማን ማለት ኮይኑ። ትውልዱ ካብ ነገደ ቢንያም እዩ፡ ኣቡኡ ሞራት ዝበሃል ኮይኑ ዝነበረሉ እዋን ኣብ ዘመን ኣዝያንን ኢዮኣታምን ሕዝቅያስን ተኻታቲሎም ኣብ ዝነብርሉ ዝነበሩ ግዜ እዩ፡ “እስመ እምጽዮን ይወጽእ ሕግ ወቃለ እግዚኣብሔር እም ኢየሩሳሌም”፡ “ሕጊ ካብ ጽዮን ቃል እግዚኣብሔር ድማ ካብ ኢየሩሳሌም ክወጽእ እዩ። እሞ ብዙሓት ሕዝብታት ንዑናይ ናብ እምባ እግዚኣብሔርን ቤት መቕደስ ኣምላኽ ያዕቆብን ንደይብ፡ ንሱ እቲ ክንገብሮ ዝግብኣና ክምህረና እዩ፡ ንሕና ውን ብመንገድታቱ ክንመላለስ ኢና ክብሉ እዮም” ሚክ 4።2-3፡
ካብ ነብያት ትንቢት ካብ ካህናት ቃል እግዚኣብሔር ይርከብ፡ ንዑናይ ናብ እምባ እግዚኣብሔር ዝበሎ ኣብ መጻኢ ሥግኡን ድሙን ናብ ቤት ክርስትያን ምኻድ ከምዝግባእ ኣቐዲሙ ብትንቢት ተናገረ፡ ጐይታ ካብኣ ስለዝውለድ ውን ጽዮን (ማርያም) በላ፡ ኣብ መንጎ ብዙኃት ሕዝብታት ንዝለዓል ባእሲ ክፈርድ። ኣብ ቀረባን ኣብ ርሑቕን ንዘለዉ ኃያላት መንግሥታት ክዳኒ እዩ፡ ንሳቶም ከኣ ኣስያፎም ንማሕረሻታት ኩናውቶም ድማ ንገዘሞታት ክሰርሕዎ እዮም፡ መንግሥታት ውግእ ኣይከልዕሉን እዮም፡ ደጊምሲ ውግእ ኣይክመሃሩን እዮም፡ ነፍስ ወከፍ ኣብ ትሕቲ ተኽሊ ወይኑን። ኣብ ትሕቲ ኣም በለሱን ተቕሚቱ ብሰላም ክነብር እዩ ዜፍርሆ ከኣ የልቦን፡ እዚ ውን ንጎይታ ኣመልኪቱ እዩ ተነብዩ፡ ጎይታ ምስ ተወልደ ኣብ ማእከል ሕዝቡ ተረኺቡ “ሓጢኣትኪ ተሓዲጉልኪ እዩ”። “ክትነጽሕ ፈቒደ ኣሎኹ ንጻህ”። “ተንሥእ ዓራትካ ተሰኪምካ ኪድ” እናበለ ክፈርድ ምኻኑ ተነበየ። ሚክ 4።3-5፡
ከምኡ ውን “ኣቲ ኣብ ምድቲ ኤፍራታ ዘሎኺ ቢተልሔም። ንስኺ ካብተን ኣብ ይሁዳ ዘለዋ ከተማታት ዝነኣስኪ ኢኺ፡ ትውልዱ ካብ ጥንቲ። ካብ ዘለዓለም ዝኾነ ኣብ እስራኤል ገዛኢ ክኸውን ዘለዎ ካባኺ ክተንሥእ እየ። ሚክ 4።3-5፡
ነቢይ ሚክያስ ደቂ ሰባት ናብ እግዚኣብሔር እንታይ ሒዝና ክንቀርብ ከም ዘሎና ባዕሉ ሓቲቱ ኣብ 6።6-8 መሊሱልና ኣሎ፡
ነቢይ ሚኪያስ 7 ምዕራፋት ዝሓዘ መጽሓፍ ጽሒፉ ኣሎ፡

## ነቢይ ናሆም ወዲ ኬልቅዩስ

ናሆም ማለት ምጽንናዕ (ዕረፍቲ) ማለት ኮይኑ። ነገዱ ካብ ነገደ ዛብሎን። ኣቡኡ ኬልቅዩስ ኣዲኡ ሶሱና ይብሃሉ፡ ዝነበረሉ ዘመን ኣብ ዘመነ መንግሥቲ ሕዝቅያስ ንጉሥ ይሁዳ እዩ፡
ነቢይ ናሆም ብስም ዓዱ ኣልቆሻዊ ናሆም ብምባል ይፍለጥ፡ ነቢይ ናሆም ብዛዕባ ጥፍኣት ነነዌ ዝረኣየ። ብዛዕባ ይሁዳ ድማ ብሥራት ዝተናገረ ነቢይ እዩ፡ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ንሓጥኣን ዝቕጽዕን ዝፈርድን እኳ እንተኾነ ውን ንኹሉ ዝዕገስ ኣምላኽ ምኻኑ ውን ገሊጹ ኣሎ፡ ቀንዲ ትሕዝቱኡ ከኣ ሃገር ነነዌ ከም ትጠፍእን። ድሕነት ሕዝቢ ይሁዳን ዘበሥር እዩ፡ ዋላ እኳ ሃገር ነነዌ ብስብከት ዮናስ ንግዜኡ እንተተነሰሐት’ውን ንሓዋሩ ግና ሓሶትን ዓመጽን ስለ ዝመልኣ ዕንወት ዘይተርፋ ኮነ፡ ናሆ 3።1፡

## ነቢይ ዕንባቆም ወዲ ዼኮር

ዕንባቆም ማለት ማእምር። ለባዊ። ነባቢ ማለት ኮይኑ። ኣቡኡ ዳኮር ኣዲኡ ሬፋ ይብሃሉ፡ ነገዱ ካብ ነገደ ስምዖን እዩ፡ ናቢይ ዕንባቆም ነቶም ዓጸዶ ምሳሕ ሒዝሎም ክኸይድ ከሎ ቅዱስ ሚካኤል “እዚ ምሳሕ እዚ ነቲ ኣብ ኣፍ ኣናብስ ዘሎ ዳንኤል ሓውኻ ናብ ባቢሎን ኣብጽሓሉ” በሎ፡ ነቢይ ዕንባቆም “ናይ ኣናብስት ጉድጓድን ባቢሎንን ኣበይ ከም ዘሎ ኣይፈልጠን እየ” በሎ፡ እቲ መልኣኽ ብጸጉሪ ርእሱ ኣልዒሉ ኣብታ ነቢይ ዳንኤል ዘለዋ ብዕጹው ኣእተዎ፡ መግቡ ሂብዎ ከኣ ከደ፡ ሽዑ ነቢይ ዳንኤል ንጽንጽያ እኳ ዘይንዕቕ ኣምላኽ ስለ ምግበይ ዝዘከረኒ

ኢሉ ኣመስገነ፡ እዚ ምሳሌ እዚ። ማለት ግበ ኣናብስት- ናይ ቅድስት ድንግል ማርያም፡ እቲ መግቢ-ናይ መግበ ነፍስ። ነቢይ ዕንባቆም ናይ ጎይታ ምሳሌ እዩ፡ ብዕጹው ኣትዩ ብዕጹው ምውጻኡ ጎይታ ብሕቱም ብድንግልና ተጸኒሱ ብሕቱም ድንግልና ምውላዱ ምሳሌ እዩ፡

ነቢይ ዕንባቆም ኣርባዕተ ፍልስጤም ሒዙ። ሓሙሽተ ነገሥተ ሚድያም ኣሸነፈ፡ ኣብ ግዜ ምርኮ ኣብ ፍልስጥኤል ዝተባህለት በዓቲ ኣትዩ ብሰላም ወጸ፡ "ወይቤ ዘንተ ዕንባቆም እግዚኦ ሰማዕኩ ድምፀከ ወፈራህኩ ርኢኩ ግብረከ ወአንከርኩ"፡ "ቀደም ነዚ ዓለም ካብ ዘይምንባር ናብ ምንባር ኣምጺኡ ፈጢርዎ ክብሉ ሰማዕኩ፡ ሎሚ ውን ካብ ምንባር ናብ ዘይምንባር ከተሕልፎ ከሎኻ ግብርኻ ርእየ ኣደነቕኩ" ዕን 3።2፡"እግዚኣብሔርሰ እም ቴማን ይመጽእ ወቅዱሰኒ እም ደብረ ፋራን ወእም ኣሕጉረ ይሁዳ"፡ "እግዚኣብሔር ካብ ቴማን እወ እቲ ቅዱስ ካብ እምባ ፋራን ይመጽእ ኣሎ" ኢሉ'ውን ብዛዕባ ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ተነበየ፡ ንሱ ድማ ፋራን ማለት ሓያል ማለት እዩ፡ ስለዚ "እቲ ሓያል ጎይታ ኣባኺ ሓደረ" ማለት እዩ፡

ሓደ መዓልቲ ነቢይ ዕንባቆም ክምህር ክኸይድ ከሎ ኣቦ ይሁዳ ኣስቆሮታዊ ምስ ብጸቱ ኣብ ባይቶ ዓዲ ኮፍ ኢሉ ከሎ። እቶም ብጸቱ ነቢይ (መምህር) ክሓልፍ ከሎ ርእዮም ክትንስኡ ከለዉ። ንሱ ግን ከይተንሥኣ ኮፍ ኢሉ ኣሕለፎ፡

ንካልኣይ ግዜ እውን ነቢይ ዕንባቆም ምህር ውሒሉ ክምለስ ከሎ ኣብኣ ኮፍ ኢሉ ረኸቦ፡ ሕጂ ውን ኣይተንሥኣን፡ በዚ ግዜ እዚ ነቢይ ዕንባቆም "ዕብን ዲበ እብን ነቢሮ ዘኣብሁ እልገቱ ወዘእሙ ብእሲቱ ወዘእግዚኡ ሜጡ"፡ ማለት "ኣብዚ ሰብ እዚ ዝውለድ ቆልዓ ነቡኡ ዝሰልብ። ነዲኡ ዘውስብ። ንጎይትኡ ዝሸይጥ ክውለድ እዩ" ኢሉ ተነበየ፡ ድሕሪ እዚ ንሱ ንገዝኡ ኣትዩ "ኣየ ሎሚ መዓልቲ እዚ ነቢይ ሓሶት እምበር ሃተፍተፍ ክብለለይ ውሒሉ" ኢሉ ንሰበይቱ ነገራ፡

ንሳ ከኣ "እንታይ ስለ ዝበልካዮ፧" በለቶ፡ "ግድን ዘይተንሣእካለይ ኢሉ'ኸ" በላ፡ "ንስኻ'ኸ ጽቡቕ'ዶ ጌርካ፧ ዓቢይ ሰብ ክመጽእ ከሎ ኮፍ ኢልካ ምርኣይ ይግባእ'ዶ፧ እሞ'ኸ እንታይ ንግበር፧" በለቶ፡ ንሱ ከኣ "ምውላድ ንሕደት" በላ፡ በዚ ከኣ ርክብ ኣቋሪጸም ክነብሩ ከለዉ። ሓደ መዓልቲ ሰኽሩ መጺኡ "ፍቓደይ ፈጽምለይ" በላ፡ ንሳ ከኣ "ንሕደት'ዶ ተባሂልና ኣይነበርናን" በለቶ፡ ንሱ "ደሓን ጓል እንተወለድና ነሰንፋ ኢና፡ ወዲ እንተወለድና ድማ ከይቀደመና ንቕድሞ" በላ፡

በዚ ከምዚ ድማ ይሁዳ ተወልደ፡ ምስ ተወልደ ወዮ ነቢይ ዕንባቆም ዝበሎ እምበር ኮነ ኢሉ ኣብ ሣዑን ዓሺጉ ናብ ባሕሪ ደርበዮ፡ ናይቲ ከባቢኦም ዓዲ ደቂ ኣስቆሮት ረኸብዎ እሞ ኣዕበይዎ፡ ይሁዳ ናይ ኩናት ምሁር ኮነ፡ ድሕሪ እዚ እታ ዝዓበየላ ዓዲ ኣስቆሮትን እታ ዝተወልደላ ኣቡኡን ኣዲኡን ዘለዉዋ ዓድን ጽልኢ ስለዝነበሩ። ሓደ መዓልቲ ኩናት ገጠሙ፡ ኣጋጣሚ ኮይኑ ንኣቡኡ ኣብቲ ሰልፊ ረኸቡ ቀተሎን ሰለቦን፡ "ዘኣቡሁ ዕልገቱ" ዝብል ተፈጸመ፡ ኣብ ዓዲ ኣትዮም ሃሰውሰው እንተበሉ ነዲኡ ወሲዱ ኣእተዋ፡ "ዘእሙ ብእሲቱ" ዝበሎ ተፈጸመ፡

ምስታ ምስኣ ዝደቀሰ ኣዲኡ ብሓደ ሓቢሮም እናተጻወቱ ከለዉ "እዞም ደቂ እዛ ሃገር እንታይ እዮም ሓውና። ዘመድና ዘይብሉኻ፧" በለቶ፡ ንሱ ድማ "ኣብ ባሕሪ ወዲቕካ ተረኺብካ እዮም ዝብሉኒ" በላ፡

ንሳ ሰንቢዳ "እዋይ ኣንታ ጉደኛ ንስኻ ዲኻ፧ በል እቲ ቀቲልካ ዝሰለብካዮ ኣቦኻ ወላዲኻ እዩ፡ ኣነ ድማ ኣዴኻ ወላዲትካ እየ" በለቶ፡

ንሱ ውን ብወገኑ ሰንቢዱ "እንታይ ደኣ ንግበር፧" በላ፡ ንሳ ኣብቲ ዘመን እቲ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ መጺእሉ ዝነበረ ዘመን ስለዝኾነ "በል ክርስቶስ ዝበሃል ተላዒሉ ሰሚዐ ኣሎኹ እሞ። ኩሉ ገዲፍና ናብኡ ንኺድ" በለቶ፡ ተንሢኦም ከኣ ናብኡ ከዱ፡

ጎይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ ተቐቢሉ ንዓኣ ምስተን 36 ቅዱሳት ኣንስት። ንዕኡ ምስቶም 12 ሓዋርያት ቁጸርሞ፡ ኣቐዲሙ ትንቢት ስለዝተነግረሉ ብፍቕሪ ገንዘብ ንጐይትኡ ብ30 ብሩር (ዲናር) ሸጡ፡ "ዘእግዚኡ ሜጡ" ዝበሎ ነቢይ ዕንባቆም ተፈጸመ፡

ነቢይ ዕንባቆም 3 ምዕራፋት መጽሓፉ ትንቢት ጽሒፉ ኣሎ፡

## ነቢይ ሶፎንያስ (ጸፎንያስ) ወዲ ኩስ

ሶፎንያስ ማለት እግዚኣብሔር ይስውር እዩ ማለት እዩ፡ ነቢይ ሶፎንያስ ኣቡኡ ኩሰ ወዲ ጎዶልያ ኣሞራዊ እዩ፡ ኣሞራዊ ዘበሎ ሰብ ኣሞርዮን ኣብ ዝጠፍእሉ ወርኃት ስለዝተወልደ እዩ፡
ዝነበረሉ እዋን ዘመን ንጉሥ ኢዮስያስ ወዲ ኣሞፅ ንጉሥ ይሁዳ እዩ፡ ነቢይ ሶፎንያስ ኣብ መወዳእታ ናይ ሻብዓይ ዘመን ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ነበረ፡ ንጉሥ ኢዮስያስ ብ621 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ መንፈሳዊ ምሕዳስ ገይሩ ነበረ፡ ነቢይ ሶፎንያስ ከኣ ቅድሚኡ 10 ዓመት ኣቢሉ ብትንቢት የገልግል ነበረ፡

## ነቢይ ሐጌ ወዲ ኣግታ

ሐጌ ማለት ነቢይ መልኣከ እግዚኣብሔር ወይ በዓል ማለት ኮይኑ። ኣቡኡ ኣግታ ኣዲኡ ሲን ይበሃሉ፡ ትውልዱ ካብ ነገደ ጋድ እዩ፡ ሐጌ። ዘካርያስ። ሚልክያስ ድሕሪ ሚጠት ዝተንሥኡ ነብያት እዮም፡
ነቢይ ሐጌ ዝነበረሉ ዘመን ኣብ መንግሥተ ዘሩባቤል ወዲ ሰላትያል። ሆሴዕ ወዲ ዮሴዴቅ እዩ፡
ነቢይ ሐጌ ብ520 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዝነበረ ኮይኑ ክልተ ምዕራፋት ዝሓዘ መጽሓፍ ጽሒፉ ኣሎ፡
በዚ ዘመን እዚ እስራኤል ካብቲ ናይ ባቢሎን ምርኮ ተመሊሶም ኣብ ኢየሩሳሌም ንገለ ቅሩብ ዓመት ዝነበሩሉ እዋን እዩ፡ ቤት መቕደስ ጌና ዓንዩ እዩ ዝነበረ፡ ስለዚ ነቢይ ሐጌ ንህዝብን ንመራሕቶምን ቤት መቕደስ ከም ብሓድሽ ክሃንፁ የተባብያም፡ እግዚኣብሔር ከኣ እቶም ሕዝቢ እንተደኣ ነጺሖምን ተቕዲሶምንሲ ሰላምን ሃብትን ከም ዝህቦም ኣተስፈዎም፡

## ነቢይ ዘካርያስ ወዲ በራክዩ

ዘካርያስ ማለት ዝኩር እግዚኣብሔር ይዝክር እዩ ማለት ክኸውን ከሎ። ኣቡኡ በራክዩ። ኣዲኡ ከኣ ሃዶ ይብሃሉ፡ ነገዱ ካብ ነገደ ሊዊ ካህን እዩ፡
ነቢይ ዘካርያስ ኣብ ዘመን መንግሥቲ ዳርዮስ ኣብ መበል ካልኣይ ዓመቱ ኣብ ሻሙናይ ወርሒ ጎዳር ነቢይ ዘካርያስ ደጋጊሙ "እብርሂ እብርሂ ጽዮን ተፈሥሒ ተፈሥሒ ኦ ጽዮን እስመ ናሁ ንጉሥኪ በጽሐ እንዘይጼአን ዲበ ኣድግ ወዲበ ዕዋላ"፡ "ኦ ጽዮን ኣዚኺ ተሓጎሲ። ኦ ኢየሩሳሌም ብታሕጓስ ዕልል በሊ፡ እንሆ ንጉሥኪ ናባኺ ይመጽእ ኣሎ፡ እዉ መድኃኒ ይመጽእ ኣሎ፡ ግና ትሑት እዩ፡ ኣብ ዓባይ ኣድግን ኣብ ጻዕቢ ኣድግን ተወጢሑ ይመጽእ ኣሎ" ዘካ 9።9-13፡ ጎይታ ብዛዕባ ኣብ ዘመን ሥጋዌኡ ብዕለተ ሆሣእና ዝፍጽሞ ገለጸሉ፡ ከምኡ ውን ኣብ ቅዳሴ ማርያም ኣብ ህርያቆስ "ትፍሥሕት ዘዘካርያስ" ዝበሎ ነዚ እዩ፡

## ነቢይ ሚልክያስ

ሚልክያስ ማለት መልኣኽ ወይ ሓዋርያ ማለት ኮይኑ። ኣቡኡ ፋሕል ኣዲኡ ድግኒ ይብሃሉ፡ ነገዱ ካብ ነገደ ይሳኮር እዩ፡
"ተፈሥሒ ቤተ እስራኤል ወተሐሠዩ ቤተ ይሁዳ"፡ "ቤተ እስራኤል ተሓጎሲ ቤተ ይሁዳ ውን ኣዚኺ ተሓጎሲ" በለ፡ እዚ ከኣ ጎይታ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ካብ ዓሌት እስራኤልን ይሁዳን ክውለድ ምኻኑ ብትንቢት ገለጸሉ፡

## ታሪኽ ዘካርያስ ወዲ ዮዳሔ

ካህን ዮዳሔ ምስ ሞተ ደቂ እስራኤል ንዮኣስ ንጉሥ እስራኤል ኣትዮም ናብ ጣያት ክንሰግድን ከነምልኽን ፍቕደልና በልዎ፡ ንሱ ሕራይ በሎም፡
ሽዑ ንሓደ ሚድራሽ ዝተባህለ ናይ ኣይሁድ ታሪኽ ግን ንዓኻ ከነምልኽካ ፍቕደልና በልዎ ይብል፡ ወዲ ካህን ዮዳሔ ካህን ዘካርያስ ኣይከውንን እዩ ኢሉ ተላዕለ፡ ንሳቶም ተመሓሒሎም ብትእዛዝ ንጉሥ ቀተልዎ፡
ኣብቲ ናይ ቤተ መቕደስ ኣደባባይ ሓደ ዓቢ ሰጣሕ ከውሒ ነበረ እሞ። ኣብ ልዕሊኡ ከም ኣቤል ቀጥቀጥዎ፡ ነቲ ሬሳ ከኣ ካብቲ ቀጽሪ ኣስሊኾም ኣውጺኦም ናብ ቄላተ ኢዮሳፍጥ ዝክረብ ጸድፊ ደርበይዎ፡
ዓበይትን ብሩኻትን ሰባት ከም ፊቅጦር። እስጢፋኖስ ኣልዒሎም ክሳብ ዝቕብርዎ ኣብኡ ጸንሐ፡ ቅድሚ ሞቱ ክመውት ከሎ "እግዚኣብሔር ይሬኢ ወይትሐሠሥ"፡ "እግዚኣብሔር ፈሊጡ ደም ፈተውቱ ይፈዲ እዩ" ኢሉ ቅድሚ ሞቱ ተነብዩ ነበረ

እሞ። ስለዚ እቲ ደሙ ካብ ዘመን ንጉሥ ዮኣስ ዘቕተሎ ክሳብ ዘመን ንጉሥ ሌዴቅያስ ንክልተ ሚእትን ኣርባዓን (240) ዓመት ከይነቐጸ እናፈልሐ ጸንሐ፡
ናቡዛርዳን ዝተባህለ ___ ምስ ረኣዮ ገሪምዎ። ነቶም ካህናት ኩነታቱ ክነግርዎ ሓተቶም፡ ንሳቶም "እዚ ናይ መስዋዕቲ ቅዳሴ ደም እዩ" በልዎ፡ ንሱ ምስቲ ናይ እንስሳ ዝገብርዎ መስዋዕቲ እንተኣነጻጸሮ ዘይመሳሰል ኮነ፡ "ሓቂ ተናገሩ" በሎም፡ ካብ ጥንቱ እስከ ተፍጸሜቱ ዘርዚሮም ታሪኹ ነገርዎ፡ ንሱ "በዝስ ኣነ ከተዓርቕ እየ" ኢሉ። ኣብቲ ንሱ ደሙ ፈሲሱ ምንቃጽ ኣብዩ ዝፈልሕ ዝነበረ ሓደ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን (1500) ሰብ ሓሪዱ፡
ታሪኽ ወይ ዜና ኣይሁድ ሚድራሽ ግን ተስዓን ኣርባዕተን እልፊ ይብል፡ ድሕሪኡ እቲ ከም ሓዊ ዝበርትዖ ድስቲ ሸኽ ሸኽ (ፈኽ ፈኽ) ዝብሎ ዝነበረ ኣቋረጸ፡
ንሱ'ውን በዚ ምኽንያት እዚ ካብቲ ዝነበረ ክሕደት ናብ እግዚኣብሔር ተመልሰ፡ ደሓርውን ንዓለም መኒኑ ከደ፡ ነዚ እዩ ከኣ ጎይታ ግፍዒ ምስ ግፍዒ ኣነጻጺሩ "እም ደመ ኣቤል ጻድቕ እስከ ደመ ዘካርያስ ወልደ በራክዩ" ዝበሎ፡ ወልደ በራክዩ ማለት ናይ ዮዳሔ ካልኣይ ስሙ እዩ፡ ማቴ ፳፫።፴፭ (ትርጓሜ መጽሓፈ ሕዝቅኤል ምዕራፍ ፴፭።፱)፡
ዘካርያስ ማለት እግዚኣብሔር ይዝክር ማለት እዩ፡

## ታሪኽ ደቂ መዛሙርት ነቢይ ኤርምያስ ኣቤሜሌክን ባሮክን

ነቢይ ኤርምያስ ኣቤሜሌክን። ብሮክን ዝተባህሉ ደቂ መዝሙር ነበርዎ፡ ነቢይ ኤርምያስ ብዛዕባ ምርኮ ኢየሩሳሌም ናብ ባቢሎን ክዛረብ እናሰምዑ "ኣየ ጎይታ! ጥፍኣት ኢየሩሳሌም ኣይተርእየና"፡ "ኢተርእየነ ሙስናሃ ለኢየሩሳሌም" እናበሉ ይጽልዩ ነበሩ፡
ግዜ ምርኮ ምስ በጽሐ መምህሮም ነቢይ ኤርምያስ ምእንቲ ካብቲ ምርኮ ክወጽኡ ኢሉ። ንኣቤሚሌክ ንሕሙማት ካብ ዝለኽየላ ዝነብረት ቆጽሊ (ዓፅቀ በለስ) ኣምጽእ ኢልካ ለኣኮ ተባሂሉ ብዝተነግሮ ትንቢት። ንባሮክ (ብሩኽ ማለት እዩ) ከኣ መቓብር ነገሥታት ሓሉ በሎ ኢሉ መልኣኽ ብዝነገሮ ከምኡ ገበረ ኤር 8።9፡
ሽዑ በታ ዝለኣኾም ለይቲ እስራኤል ተማሪኾም ሓደሩ፡ ኣቤሜሌክ ቄጽሊ በለስ ቀንጢቡ ኣብ መሶብ ወርቂ ኣቕሚጡ እናኸደ እንከሎ ፈዘዝታ ድቃስ ስለ ዝመጸ ኣግሊሱ ኣብ ሓደ ጽላል ኣዕረፈ እሞ ድቃስ ወሰዶ፡ በዚ ከኣ 66 ዓመት ዝኣክል ደቀሰ፡ ድሕሪ ስሳን ሽዱሽተን ዓመት ተበራቢሩ እንተርኣየ ካብታ ዝደቀሳላ ሰዓት ቅሩብ ከኣ ሕልፍ ኢላ ምስ ረኣየ። ቅሩብ ደንጉየ ኣሎኹ እሞ መምህረይ ኤርምያስ ክቕየቕኒ እዩ ብምባል መንገዱ ቀጸለ፡ እቲ ዝመጸሉ መንገዲ ጠፊእዎ "ድቃስ ስለ ዘይጸገብኩ ድየ ወላስ ኣእምሮይ ጠፊኡኒ እዩ።" በለ፡ ሽዑ ኣብ ሓደ ቦታ ደው ኢሉ ተመልከተ እሞ ሓደ ዕብይ ዝበለ ሰብኣይ ዝመስል መልኣኽ ተራእዮ፡ ቅርብ ኢሉ "ኣይቴ ሀለዉ ኤርምያስ ወኢኃውየ"፡ "ኤርምያስን እቶም ኣሕዋተይን ኣበይ ኣለዉ።" በለ፡ ንሱ ድማ "ኣንታ ወደይ ጋሻ ዲኻ ክትከውን ደሊኻ። ዝኾነ'ዶ ኣይፈለጥካን ኣኻ። በዓል ኤርምያስ ዘለዉ ኣብ ባቢሎን። ማለት ኢየሩሳሌም ተመሪኻ ካብ ትዓኑ ድሮ 66 ዓመት ኮይኑ ኣሎ"፡
ሽዑ ንሱ "ከመይ ኢሉ ኣነ ንሕሙማን ንኽለኽየሉ መምህረይ ኣቀ-በለስ ቀንጢብካ ኣምጽእ ኢሉ ልኢኹኒ፡ እንሆ ከኣ እታ ዝቐንጠብኩላ በለስ ጸባኣ ይነዝዕ። ቆጽላ ውን ኣይጸምለወን" በሎ፡ እቲ መልኣኽ እስከሉ በሎ፡ እንተረኣየ ከምቲ ዝበሎ ኮይኑ ረኸቦ፡ "በል ክነግረካ እግዚኣብሔር ካብ መከራ ሠዊሩካ እዩ እምበር። መምህርካ ኤርምያስ ክልእከካ ከሎ እንታይ እዋኑ ነይሩ።" ንሱ "ሽዑ ደኣ እዋን ዘርኢ እዩ ነይሩ" በለ፡ እሞ ሕጂ እዋን ዕምባባ'ዶ ኣይኮነን ዘሎ።" በሎ፡ በዚ ተረዲኡ "በል ንዓ ምስ ሓውኻ ባሮክ ከራኽቦካ"። ኢሉ ወሲዱ ምስ ባሮክ ኣራኸቦ እሞ። ክልቲኦም ሱባኤ ኣተዉ፡ በዚ ድማ እስራኤል ካብቲ ተማሪኾሞ ዝነበሩ ባቢሎን ካብ ስደት ዝምለስሉ 4 ዓመት ከም ዝተረፎ ተገልጸሎም፡
ሽዑ ክልቲኦም ነቲ ዝተገልጸሎም ኣብ ወረቐት ጽሒፎም መን ከም ዘብጽሓሎም ክሓስቡ ከለዉ። ሓደ ዝተላእከ ንስሪ መጽኣሎም እሞ እታ ወረቐትን እታ ቆጽሊ በለስን ክልቲኤን

ኣብ ክሳዱ ኣሲሮም ንመምህሮም ነቢይ ኤርምያስ ከብጽሑሉ ለኣኹሉ (ሰደዱ) ኤር 8፡1-ፍጻሜ ኤር 9፡1-ፍጻሜ፡
ነቢይ ኤርምያስ ብወገኑ ሓደ ሰብ ሞይትዎ ፍቃድ ሓቲቱ ክኸይድ ከሎ። እቲ ካብ ደቂ መዛሙርቱ ዝተላእከ ንስሪ ብስሙ “ነቢይ ኤርምያስ” ኢሉ ጸወየ፡ ነቲ ኣብ ክሳዱ ተኣሲሩ ዘሎ ደብዳቤን ቆጽሊ በለስን ሒዙ ወሪዱ ነቲ ሬሳ ብእግሩ ረጊጹ አተንሥኦ እሞ። እቲ ዝተንሥአ ምውት ኣብቲ ደብዳቤ ዘሎ ጽሑፍ መስኪሩ ንዕለቱ ዓረፈ፡
ስለዚ እታ ዝተቈርጸት ቈጽሊ በለስ ናይ ኣቤሜሌክ 66 ዓመት ተቐሚጣ ቈጽላ ከይነቐጸ ደማ እና ኣንጠብጠበ ከም ዝተረኽበት። ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ኣብ መበል 66 ዘመን ኣበው ንጽሓ ጠባይ ሓልያ ተረኺባ እያ፡ (ኣንደምታ ውዳሴ ማርያም ዘረቡዕ)

## ምዕራፍ ፪
## ዘመነ ሰማዕታት (ናይ ስደት ዘመን)

ስፍሕ ብዝበለ ኣቐራርባ እዚ ዘመን'ዚ ካብ 64-313 ዓም. ዘሎ ካብ 250 ዘይወሓደ ዘመናት ሒዙ ይርከብ፡ ይኹን እምበር ከምቲ ብዝሒ ስምዕትናን ዝተፈጸመሉ ገድልን ኣብ ክልተ ይኽፈል።
፩ይ ካብ 64-250 ዓ.ም. ዘሎ ዓመታት፡ ክርስቲያን ዝኾኑ ብጠቕላላ ኣጥፍእ ዝብል ስለ ዘይተኣወጀ፡ ኣብ ሓደ ሃገር ዘለዉ ኣመንቲ ክሳቐዩ እንከለዉ፡ ኣብ ካልእ ሃገር ዘለዉ ኣመንቲ ከኣ ብሰላም ይነብሩ ነበሩ።
ኣብዚ ዘመናት'ዚ ኣብ ሮማ ዝነገሡ ዋናታት ቄሳራት፡- ኔሮን ካብ 54-68 ድምጥያኖስ ካብ 81-96 ትራጃን ካብ 98-117 ማርቆስ ኣብሪሊዮስ ወይ ኣውሬሊያኖስ ካብ 161-180 ሴፕቲሚዩስ - ሴቪሩስ ካብ 91- 211 ማክሲሙስ ካብ 235-238 እዮም።፪ይ ካብ 250-313 ዓ.ም. ዝነበረ ግዜ ምንምኳ ሓደ ሓደ ግዜ ብምቕራጹ ምኽንያት ዕረፍቲ እንተረኸቡ ክርስቲያን ክጠፍኡ ጠቕላላ ኣዋጅ ስለ ዝተኣወጀ ብዘይ ርኅራኄ ብጭካኔ ተውድኡ። እዚ ዘመን'ዚ ካብ ናይ ሮማ ቄሳራት ዳክዮስ ካብ 249-251 ቫሌሪያን 253-259 ኣውሬልያኖስ ወይ ኣሌሪያን 270-275፡ ዲዮቅልጥያኖስ 284-305 ዘሎ ግዜ ሒዙ ይርከብ።
ቤተክርስቲያን ብዙሕ ቅርስታታ ዝሰኣነትሉ ኣብዚ ዘመን'ዚ እዩ። ብኣንጻሩ ዘመነ ሰማዕታት ቤተክርስቲያን ካብ ቤተ ኣይሁድ ወጺኣ ናብ ኣሕዛብ ዝኣተወትሉ፡ ጸኒዓ ዘስፋሕፍሓትሉ ዘመን እዩ።
“*ሑሩ ወመሐሩ ኵሎ ኣሕዛብ*” ብዝብል ናይ ጐይታ ትእዛዝ መሠረት ንናይ ኣረሚን እዝኒ ጋሻ ኰይኑ ዝነበረ ብሓደ ኣምላኽ ምእማንን ናይ ድኅነት መልእኽታን ክትእውጅ - መረት።
ኣሕዛብ ናይ ወንጌል መልእኽቲ ተቐቢሎም ክርስቲያን ኮኑ። ካብቲ ኣብ ኢየሩሳሌም ዝነበረ ቁጽሪ ክርስቲያን ኣብቲ ናይ ኣሕዛብ ሃገር ዘሎ ሓድሽ ኣማኒ እናበዝሐ ኸደ።
እቲ ኣብ ክርስቲያን ዝነበረ ነንሓድሕድካ ምፍቕቓር ነቶም ኣሕዛብ ዘይኣመኑ ኣቕንኦም። እናተደነቑ “ረኣይዎም እዞም ክርስቲያን ነንሓድሕዶም ክፋቕሩ” ይብሉ ነበሩ። ብብዝሒ ፍቕሮም ከኣ ናይ ክርስቶስ ደቀ መዛሙርት ምኻኖም ኣመስከሩ፡ ጐይታ ኣቐዲሙ ብዛዕባ ፍቕሪ ኣስተምሂርዎም ነበረ። (ግብ. ሐዋ. 4÷34-37, ሮሜ 15÷26-27)
ኣብ ሃገረ ኣሕዛብ ናይ ምእመናን ቁጽሪ እናበዝሐ ምስ ከደ ጸላእቲ ከኣ ከም ፍልሐ ፈሊሖም ተላዕሉ። ካብቶም ካብ ኣሕዛብ ዝተላዕሉ ጸላእታ እቶም ካብ ቤተ ኣይሁድ ዝተላዕሉ ቀናኣት ኣይሁድ፡- ክርስቶስ ብዘይ ሙሴ፡ ጥምቀት ብዘይ ግዝረት፡ ኦሪት ብዘይ ወንጌል ኣየጽድቑን እዮም ብምባል ካብቶም ምርድኣእ ዘይፈተዉ ቢጽ ሓሳውያን ዝኸፍኡ ስለ ዝነበሩ እቲ ዝተቐበለቶ መከራ በዚ መጠን እዩ።
ኣይሁድ ምንምኳ ንቤተክርስቲያን እንተተቓወምዋ ናይ ብሉይ ኪዳን ኣመንቲ ብምንባሮም ተቓውምኦም መጽሓፍ ብመጽሓፍ እዩ ነይሩ። ብኣፍ ብመጽሓፍ ኢልካ ንምሕፋሮም ቀሊል ነበረ። ኣሕዛብ ግን ሓደ ዝተወሰነ ሃይማኖት ወይ ናይ ሃይማኖት መምርሒ መጽሓፍ ስለዘይነበሮም ኣብ ግዜ ክርክር ሜዳ ንዝኾነ ኣተሓሳስብኦም ሰቢርካ ንምእታው ኣዝዩ ኣጸጋሚ ነበረ።

ነቲ ዝንገሮም ክርስቲያናዊ መልእኽቲ ከም ሓደ ልቢ ወለድ፣ ወይ ሕንቅልሕንቅሊተይ ኣይቆጽርዎን ነበሩ።
እቶም ካህናተ ጣያት'ውን ብስም ኣገልግሎት ጣያት ዝረኽብዎ ዝነበሩ ኣታዊ ስለ ዝተቐረጸም ክርስትና ንምጥፋእ ተዓጢቆም ተንሥኡ። “ ዑፍ ብዝበረሮ፣ ዘንጊ ብዝተወርወሮ” ከምዝበሃል ንክርስቲያናት ናይ ፈጣሪ ጸላእቲ ብምምሳል፣ ናይ ሓዊ ምንዳድ፣ ናይ ኣየር ኵነታት ለውጢ፣ ዓባር፣ ድርቂ፣ ሕማም . . . ወዘተ ኣብ ሃገሮም እንተመጺኡ እዞም ርጉማት ክርስቲያን ንኣማልኽትና ስለዘቐየምዎም እኮ እዩ ብምባል ከም በደልቲ የሓስብዎም ነበሩ።
እቲ ዝሓስብዎ ምስማር ምስ ዝኣብዮም በዚ ምኽንያት'ዚ እቲ ናይ መጀመርታ ስቓይን ስደትን ኣብ ልዕሊ ቤተክርስቲያን ዝኣወጀን ብዙሓት ናይ ወንጌል ልኡኻት ክርስቲያን ዝቐተለን ዝወድኣን ኔሮን ቄሳር ካብ 54-68 እዩ። ነዚ ነገር'ዚ መለዓዓሊ ዝገበሮ ናይ ከተማ ሮማ ምቕጻል እዩ። ርግጽ ኣብ መፋርቕ ዘመነ መንግሥቱ ከተማ ሮማ ብሓዊ ተቓጺላ እያ። ዘቓጸላ መን ከምዝኾነ ግን ኣይተፈልጠን።
ምእንቲ ንክርስቲያን ከጥፍኦም ቄሳር ኔሮን ባዕሉ እዩ ኣቃጺልዋ ዝብሉ እውን ኣለዉ። እቲ ኾነ እቲ ከተማ ሮማ ምቕጻላ ኣይተረፈን።
ንሕዝቢ ሮማ ክርስቲያን እዮም ኣቓጺሎሙልኹም ኢሉ ኣብ ልዕሊ ክርስቲያን ዓቢ ግፍኢ ንኽገብሩ ቅስቀሳ (ጐስጓስ) ገበረ። ሕዝቢ ከኣ እንታይ ኣለዎ ከምዘረዳእካዮ ስለዝኾነ እዚ ናይ ሃገረ ሮማ ዋና መቃጸሊ ኮይኑ ዘሎ ምኽንያት ኣብ ውሽጢ ከተማ ንኣማልኽትና ዘይእዘዙ ክርስቲያን ብምህላዎም ጥራይ እዩ።
እዚ ሓደጋ'ዚ ናይ ኣማልኽቲ ቍጥዓ እዩ እምበር ናይ ሰብ ኣይኮነን ዝብል ኣተሓሳስባ ሒዞም ክጭድሩ ጀመሩ። እቶም ጥቕሞም ዝጐደሎም ካህናተ ጣያት እውን ክርስቲያን ኮነ ኢሎም ዝገበርዎ ተንኰል እዩ እናበሉ ናይ ሓሶት ወሬኦም ክነዝሑ ጀመሩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኔሮን ንክርስቲያን ንኸጥፍኦም ምሹእ ባይታ ረኸበ። ብዙሓት ክርስቲያን ብዘይፍርዲ ብጭካኔ ተጨፍጨፉ።
እቶም ቤተክርስቲያን ኣጸቢቕ ትዝክሮም ቅዱሳን ሓዋርያት ጴጥሮስን፣ ጳውሎስን ብሰማዕትነት ዝተቐተሉ ብኔሮን ቄሳር እዩ። እዚ ኣሰቃቕን መደንገጽን ህልቂት ዝተፈጸመ ኣብ ከተማ ሮማ ጥራይ ስለዘይነበረ ኣብ ካልኣ ክፍለ ሃገራት ዘለዉ ክርስቲያናት ነዚ ምስ ሰምዑ ምስ ኣጎዋቶም ናይ ሰማዕትነት ጽዋዕ ንምቕባል ከካብ ዘለውዎ ተኣኸቡ።
ኣብ ሃይማኖቶም ዘለዎም ፍቕሪ ብሰማዕትነቶም ኣርኣዩ። እቶም ካብ ሞት ዝተረፉ'ውን ንዓኣቶም ዝረኸበ ከይረኽበና ከይበሉ ብግፍኢ ንዝሃለቑ ናይ ኣሕዋቶምን ኣሓቶምን ዓጽሚ ኣኪቦም ኣብ ስውር ውሽጢ ግበበ ምድር (ካታኮምብ) ኣቐመጡ።
*“ ልቡ ለጻድቅ ውኩል ከመ ኣንበሳ ”* ከም ዝብል። እዚ ናይ መከራ ዘመን ክሳብ ዝፍጸም ከም ቤተክርስቲያን ጌሮም ክግልገሉሉ ዝጸንሑ ግበበ ምድር (ካታኮምብ) ኣብ ናይ ሰማዕታት መቓብር እዩ ነይሩ።
ድሕሪ ሞት ኔሮን ቄሳር ፷፰ (68) ዓ.ም. ንሓንቲ ዓመት ክልተ ቄሳራት ብተኸታታሊ ነገሡ። እቲ ኣብ ልዕሊ ክርስቲያን ዝፍጸም ዝነበረ ግፍኢ ግን ከም ቀደሙ እዩ።
ብ ፸ (70) ዓ.ም. ዝነገሠ ቬስፓስያን ክርስቲያን ብምጽላእ እኳ ካብ ኔሮን ዘይሓይሽ እንተኾነ ከምቲ ኔሮን ዝፈጸሞ ህልቂት ኣይፈጸመን። ካብ ምስጓም፣ ንብረቶም ካብ ምዝማት፣ ውሽጢ ውሽጢ ጸላእቲ ካብ ምስፍሕፋሕ ግን ኣይተኸልከለን።
ካብ ፷፰-፸ (68-70 ዓ.ም.) እሥራኤል'ውያን ነቲ ዝነበሮም መግዛእቲ ናጻ ንምውጻእ ዝገበርዎ ምንቅስቓስ ዝተላዕለ ቅድም ቬስፓስያኖስ፣ ድሓር ወዱ ቲቶ (ጥጦስ) ወሪሩ ብ 70 ዓ.ም. ንናይ እስራኤል ምንቅስቓስ ደምሰሶ። ከተማ ኢየሩሳሌምን እቲ ዓቢ ናይ ኣይሁድ ቤተመቕደስን ኣቓጸለ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ኢየሩሳሌም ዝነበሩ ክርስቲያን ኩሎም ሃዲሞም ኣብ ፔላ ዝተባህለት ናይ ዮርዳኖስ ማዕዶ ሰፈሩ።
ካብዚ ንንየው ናይ ክርስቲያን መናሃሪያ ኢየሩሳሌም ምኺን ተሪፉ ሮማ፣ እስክንድርያ፣ ኣንጾኪያ ኮና። ናይ ሮማ ግዝኣት

ብሰሜናዊ ምብራቕ ወገን ኣፍሪቃ፣ ግብጺ፣ ማእከላይ ምብራቕዊ እስያን ግሪክን፣ ብምዕራብ ወገን ፈረንሳ (ጎል) ክሳብ ዓባይ ብሪጣንያ ዝበጽሕ ነበረ።

ናይ ክርስትና ሃይማኖት “ብሉይ ኪዳን” ንመረድኢ ስለ ዝጥቀሙሉ በቶም ኣቐዲሞም ዝተጠቕሱ ናይ ሮማ ገዛእቲ ዝነበሩ ሰበ ሥልጣን ኩሉ ናይ ክርስትና ሃይማኖት፣ ኣይሁድ ናይ ሮማ ግዝኣት ንምፍራስ ዝፈጠርዎ “ ሃይማኖት ለበስ ፖለቲካ” መሲልዎም ነበረ።

ናይ ክርስትና ሃይማኖት ግን ብርግጽ ንሳቶም ከም ዝሓሰብዎ “ሃይማኖት ለበስ ፖለቲካ” ኣይነበረን። ይኹን እምበር ናይ ሮማ መንግሥቲ “ ናይ ምስፍሕፋሕ መንፈስ ዝቃወም መንገዲ ኩሉ ናብ ሮማ የእትዎ” ዝብል ናይ ትዕ ቢት ውርሻ ዝፈቱ ነበረ። ናይ ሮማ ነገሥታት ብግብዝነት ዝፍጽምዎ ናይ ምምላኽ ጠባይ ናይ ክርስትና ትምህርቲ ብምሉእ ተቓወመ። ቤተክርስቲያን ብመምርሒኣ መሠረት “ኣምላኽ ሓደ እዩ” ንሱ ከኣ “ዝቐትል፣ ዝምሕር እዩ። ንዕኡ ክትሰግዱ፣ ንዕኡ ኩተምልኹ ይግባእ። እዚ ንሸኻትኩም እትገብርዎ ዘሎኹም ንዕንጨይቲ፣ ንእምኒ፣ ንእንስሳ ምስጋድ ንነገሥታት ከኣ ኣምላኻዊ ክብርን ስግደትን፣ ምሃብ ኣምልኾ ባእድ እዩ” በለት። ኣብ'ዚ ጊዜ'ዚ ኣብ ሞንጎ ቤተክርስቲያንን ነገሥታትን ህልኽ ዘእቱ ክርክር ተፈጥረ።

ናይ ሮማ ነገሥታት ብሕይወት እንከለዉ ክምለኹን ክስገደሎምን ጸኒሖም ምስ ሞቱ ከኣ ሥዕሎም፣ ሓውልቶም ይምለኽ ስለዝነበረ ነቲ ሁኔት ምኽንያት ዝኾኖ ንሱ እዩ።

ቤተክርስቲያን “እግዚኣብሔር ክርስቶስ እዩ” ክትብል፣ ናይ ሮማ ቄሳራት ከኣ ከምቲ ዝለመድዎ ክንገብር ኢና ክብሉ ሓደ ቄሳር ሓሊፉ ካልእ ክትካእ ናይ'ቲ መከራ ዓይነትን ብዝሕን እናወሰኸ ኸደ። ዝገደደ'ውን እቲ ናይ ክርስቲያን ህልቂትን ስቓይን ናይ ሮማ ቄሳራት ኣብ ጊዜ ዕረፍቶም ከም መዘናግዒ ይርእይዎ ነበሩ።

ብመጠን እቲ ዝነበረ መከራ ግን ናይ ክርስትና ሃይማኖት ጸንዐ። ድሕሪ ኔሮን ቄሳር ኣብ ልዕሊ ክርስቲያን ብዙሕ ስቓይ ብምፍጻም ዝተፈልጠ ሓዉ ድምጥያኖስ ካብ 81-96 እዩ።

ንሱ እውን ጌና ብሕይወቱ እንከሎ ምስሉ ኣዳልዩ ክስገደሉ ክብል እንከሎ ናይ ንእሽቶ እስያ ክፍሊ ናብ ዝኾነት ኤፌሶን ለኣኾ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ዮሓንስ ወንጌላዊ ኣብ ኤፌሶን ብሓዋርያነት ስርሑ ይፍጽም ስለዝነበረ፣ ነዚ ምስሊ'ዚ ርእዩ ብጣዕሚ ተቓወመ። ናይ ኤፌሶን ክርስቲያን ምስ ወንጌላዊ ዮሓንስ ኮይኖም ንናይ ድምጥያኖስ ናይ ግብዝና ስራሕ ተቓወሙ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ዮሓንስ ተታሒዙ ናብ ሮማ ክውሰድን ናይ'ቲ ዝተቓወሞ ፍርዲ ከኣ ክቕበልን ናይ ሮማ ቤት ምኽሪ ወሰነ።

ሓዋርያዊ ግዴትኡ ስለዝኾነ ፍርዱ ክቕበል ብፍታዉ ኸደ። ኣብኡ ምስ በጽሐ ናይ ሮማ ፈራዶ ኣብ ደሴተ ፍጥሞ ክእሰር ወሰኑ። ኣብ ደሴተ ፍጥሞ እንከሎ እቲ ናይ ሐዲሽ ኪዳን መወዳእታ ዝኾነ መጽሐፍ ራእይ ተገሊጽሉ ጸሓፈ።

እዚ መጽሐፍ'ዚ “ ራእየ ዮሓንስ ኣፓካሊፕሲስ” ኣቡቀለምሲስ ይብሃል። ሓደ ሓደ ሰባት ከኣ እዚ ጥራይ ዘይኮነስ ንወንጌል እውን ኣብኡ እዩ ጽሒፍዎ ይብሉ። ካብ 98-117 ዓ.ም. ዝነበረ ኃያል ቄሳር ትራጃን ዝተባህለ እዩ። ብኃይሊ ጥራይ ዘይኮነ እንኮላይ ብሚላን ብምፍርራህን ንክርስቲያን ናብ ኣምልኮተ ጣያት ክመልስ ዝፈተነ እዩ።

ትራጃን ኣብ ዘመነ መንግሥቱ ሓሊፉ ሓሊፉ ብሕጋዊ መንገዲ ክኸይድ ዝደሊ ይመስል። ናይ ቢታንያን ከባቢኣን ገዛኢ እዩ ጌሩ። ዝሸሞ ፖሊኒ ዝተባህለ ገዛኢ ብ 111-113 ተሸይሙ ናብ ቢታንያ ምስ ከደ ኣብ ውሽጢ ግዝኣቱ ብዙሓት ክርስቲያን ረኸበ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ንክርስቲያን ዋላ መከራ እንተጸገቡን እንተሞቱን ተገዳሲ ዘየብሎም ምኻኖም ምስ ፈለጠ ተሃዊኹ ኣይቀተሎምን። ግን ኣብ ውሽጢ ግዝኣቱ ብዙሓት ክርስቲያን ምርካቡን እንታይ ክገብር ከም ዝግብኦን ናብ ልዕሊኡ መምርሒ ስለዘድልዮ ጉዳዩ ኣብሪሁ ንጉይትኡ ትራጃን ጸሓፈ።

ትራጃን ብናይ ፖሊኒ ምስትውዓል ተሐጉሱ ክብሪ ከኣ ስለ ዝሃቦ ብምድናኾ እዚ ዝስዕብ መልሲ ጸሓፈሉ። “ፈታውየይ ፖሊኒ ኣብ ውሽጢ ግዝኣትካ ስለ ዝረኸብካዮም ክርስቲያን

ጉዳዩ ትኽክልን ምስትውዓል ዘለዎን ሕቖ ተመልኪተዮ፡ ክርስቲያን ከም ኣራዊት ክህደኑ የብሎምን። ጥፍኣት እኳ እንተ ተረኽቦም ከም ማንም ዜጋ ናብ ቤት ፍርዲ ቀሪቦም ብሕጊ ይቀጽዑ። ብዝበለጸ እውን ክርስቲያን ዝብል ስም ኽኽሓድጉ ምእማኖም። ክርስቲያን ዝብል ስም እንተ ሓዲጎም፡ ንኣማልኽትና ከኣ እንተ ሰጊዶም፡ ምንም ዓይነት በደል ዋላ እንተ ሰርሑ ንዝመጽእ ምጥንቃቕ ድኣ እምበር ብዝሓለፈ ዘይቅጽዑ ምኻኖም ቀስ ብቐስ ምርዳእ ብጣዕሚ ዝሓሸ እዩ " ኢሉ ጸሓፈሉ።
እዚ ኣጸሓሕፋ'ዚ ብሓደ ወገኑ ናይ ትራጃን ክፍኣት ከርኢ እንከሎ፡ ብኻልእ ወገኑ ከኣ ብዘይ ሕጊ ሥልጣን ተጠቒምካ ሰብ ካብ ምቕታል ዝተኣረመ ናይ ኣመራርሓ ሜላ ዘለዎ ይመስል።
ትራጃን ክርስቲያን ካብ ምጽልኡ ዝተላዕለ ንናይ ኣሕዛብ ሃይማኖትን ንናይ ሮማ ነገሥታትን ጸላእቶም እዮም ይብሎም ነበረ።
ብዙኃት ቄሣራት ንቤተክርስቲያን ብዓይኒ ጸላኢ ይጥምትዋ ነበሩ። ካብ 161-180 ዓ.ም. ዝነገሠ ፈላስፋ ንጉሥ ማርቆስ ኣብሪሊዮስ "ክርስቲያን ሞገዳውያን ወፈፌታት እዮም" ይብል ነበረ።
ካብ 180-192 ዓ.ም. ዝነገሠ ቄሳር ከሞዶስ ቀስ ብቐስ ብሜላ እናገበረ ንቤተክርስቲያን ናይ ምጥፋእ እቅድ (ዕላማ) ነበሮ።
ካልኦት'ውን ከም በዓል እስክንድሮ-ሳዊሮስ ካብ 222-231 ዓ.ም. ከም በዓል ፊልጶስ ዓረባዊ ካብ 244-249 ዓ.ም. ዝነበሩ ብምንዓቕን ብምጽያፍን ንክርስቲያን ከም ማንም ኣይቈጽርዎምን ነበሩ።
ኣብ ልዕሊ ቤተክርስቲያን ናይ ምስናፍ ዕድል ንምርካብ ብዙሓት ቄሳራት ብዘለዎም ኃይልን ሜላን ብምሉእ ኃይሎም ተጠቒሞም ናይ መወዳእታን ዘየዳግምን ሜላ ግን ብዳክዮሰ (ዳኬዎስ) ዘመነ መንግሥት ካብ 249-251 ዓ.ም. ዝወጽኣ ኣዋጅ እዩ።
ዳኬዎስ ብቐጥታ ምስ ነገሠ ናይ ክርስቲያን መምርሒ ኣጽኒዑ ንክርስቲያን ብጣዕሚ ዘጨንቕሉ ነገራት ምስ ናይ ዓለም ሊቃውንቲ እዚ ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውጽኣ። "ኣብ ግዝኣት ሮማ፡ ኣብ ሮማዊ ዜግነት ንዝነብሩ ክርስቲያን ኩሎም ብናይ ሮማ ባህሊ መሠረት ናይ ሮማ መንግሥት ሕጋዊ እዩ ኢሉ ዝተቐበሎን ነገሥታት'ውን ከምልኽዎም ዝጸንሑ ጣዖታት ብግዲ ከም ዘምልኹን ሞባእ ከም ዘቕርቡን" ዝብል ኣዋጅ ነበረ። ነዚ ኣብ ግብሪ ዘየውዓለ ማንም ዜጋ ብሞት ይቀጻዕ። እዚ መንግሥታዊ ኣዋጅ እዚ ሮማ ንብዙሕ ግዜ ክትክተሎ ዝጸንት ናይ ሃይማኖት ነጻነት ሕጊ ዘፍርስ ስለዝኾነ ብቤተክርስቲያን ጥራይ ዘይኮነ ብዝተፈላለዩ ናይ ሮማ ግዝኣታት ዝነብሩ ኣይሁድን ኣረማውያንን ኣብ ኩሎም ሁከት ፈጠረ።
ክርስቲያን ግና ብእምነት ጸኒዖም ንናይ ዳኬዎስ ጣዖታት ኣይሰገዱን፡ መባእ'ውን ኣየቕረቡን። ስለዚ ከኣ ሰብኣይ፡ ሰበይቲ፡ ንእሽቶ ዓቢ ከይበለ ኣብ ግዝኣት ሮማ ንዝነብሩ ክርስቲያን ኣሰቓቂ ዝኾነ ናይ ሞት ቅጽዓት ተኣዘዘ። ሕጻናት ኣብ ሕቑፎ ኣዲኦም ከለዉ ተሓረዱ። ኣዴታቶም'ውን ድሕሪ ናይ ደቀን ሞት ምርኣየን ሓደ እግረን ኣብ ጉንዲ ተኣሲሩ፡ ካልእ ኣካላተን ከኣ ንታሕቲ ቁልቁል ኣፈን እናተንጠልጠለ ብኣሰቓቒ ኣማውታ ናይ ሰማዕትነት ጽዋዐን ሰተያ።
ግዚኡ ምስ ኣኸለ ዳክዮስ ሞተ። ቤተክርስቲያን ግን ኣይሞተትን፡ ዳክዮስ ምስ ሞተ ወረስቱ በዚ ዝተኣወጀ ኣዋጅ መሠረት ብዙሓት ክርስቲያን ቀተሉ።
ካብ ዳክዮስ ኣከታቲሎም ኣብ ልዕሊ ቤተክርስቲያን ብዙሕ ስቓይ ዘውረዱ ቄሳራት፡- ጋሊዮስ፡ ቄሳር፡ ካብ 251-253 ዓ.ም. ቫሌሪያ ካብ 253-259 ኣሌሪያን፡ ካብ 270-275 እዮም። ድሕሪ እዚኣቶም ብዓይነት ይኹን ብብዝሒ ተማሳሳልን ተወዳዳሪ ዘይብሉን ናይ ክርስቲያን ህልቂት ብናይ ዲዮቅልጥያኖስ ዘመነ መንግሥት 284-305 ዓ.ም. ዲዮቅልጥያኖስ ካብ ታራ ሰብ ዝተወልደ ወዲ ድልማጥያ እዩ።
ድልማጥያ ኣብ መንነ ኢጣልያን ይትዝላቪያን ዘላ ሃገር እያ። ኣብ ግዝኣት ይትዝላቪያ ከኣ ትርከብ። ብ285 "ኣውግስጦስ (ክቡር) ቄሣር ተባህለ።

ብ286 ዓ.ም. ናይ ሮማ ግዝኣት ብጣዕሚ ሰፊሕ ካብ ምኻኑ ዝተላዕለ ናይታ ሃገር ጸጥታ ንምሕላው ምእንቲ ክጥዕምን ናይ ምሕደራ ጉድለት'ውን ምእንቲ ከይፍጠር ንሱ ብወገን ምብራቕ፣ ሒዙ ወገን ምዕራብ ከኣ ንዓርኩ መክስምያኖስ ሃቦ። መክስምያኖስ እንተኾነ እውን ብወገን ምዕራብ ሮማ “ኣውግስጦስ ንጉሠ ነገሥት” ተባህለ። ክልቲኦም ብመንግሥትነት ማዕረ ኮይኖም ንግዝኣቶም ዝኾንዎም ሓለፍቲ መሪጸም ሸሙ።

ብወገን ምብራቕ ንዲዮቅልጥያኖስ ዘምኡ ጋሌሪዮስ ቄሳር ተባሂሉ ናይ ዲዮቅልጥያኖስ ምክትል ካብ 291-311 ዓ.ም. ኮነ። ብወገን ምዕራብ ናይ ዓቢ ቆስጠንጢኖስ ኣቦ ኮንስታንዲዮስ ክሎሪን ካብ 293-306 ዓ.ም. ቄሳር ተባሂሉ ናይ መክስምያኖስ ምክትል ኮነ። ሥልጣን መንግሥቱ ምስ ተረጋግአ ነቶም ዓበይቲ ሹመኛታት ዝነበሩ እናኣውጽአ ፈተውቱ ኣብ ታሕቲ ዝነበሩ ሸመ። እዚ ሚላ እዚ ከኣ ተቓዋሚ ኀይለዓሎ ሓገዞ።

ዲዮቅልጥያኖስ ካብ ኩላቶም ነገሥታት ፍልይ ዘብሎ ሓደ ሓደ ሓደሽቲ ነገራት ኣለውዎ። ወዲ ድኻ ብምኻኑ ንግሥነት ርእዩ ስለ ዘይፈልጥ ብጣዕሚ ክማላኻዕ ዝፈቱ ፈታዊ ጌጓጌጽ፣ ክብሪ ዘይጸግብ ነበረ፣ ኣብ ዘፈር ካብኡ፣ ኣብ ናይ ክዳኑ እጅግ፣ ኣብ ወሰነ ወሰን ጫማኡ ዝነበረ ናይ ወርቅን ዕንቁን ዘፈርፈር ቅድሚኡ ዝነበሩ ነገሥተ ሮም ጌሮሞ ዘይፈልጡ ነበረ።

ናይ ቤተክርስቲያን ታሪኽ ብሰፊሕ ዘጽንዑ ሊቃውንቲ “ ናይ ሮማ መራሕቲ ጠባይን ናይ ፖለቲካ ኣተሓሕዛኡን ክዛረቡ እንከለዉ እዚ ዲዮቅልጥያኖስ ናይ ፖለቲካ መሪሕነቱ እኳ እንተ ወሰኖ ናይ ደቂ ሰባት እምነት ንምውህሃድ ዝጽዕር ኣብ ውሽጢ ታሪኽ ሮማ ናይ መጀመርታ ኣረማዊ ንጉሥ ነበረ። ክርስቲያን ንምድምሳስን ንምጥፋእን ከምኡ ዝኣመሰለ ኃያል ናይ ክርስቲያን ጸላኢ ኣብ ሮማ ነጊሡ ኣይፈልጥን ነይሩ” ይብሉ።

ዲዮቅልጥያኖስ ኣጸቢቑ ንክርስቲያን ከጽልኦ ዝኽኣለ ምክንያት ሓደ ብ 296 ዓ.ም. ናይ ፋርስ መንግሥቲ ንናይ ሮማ ግዝኣት ዶብ ምስ ጠሓሰ ጋሌሪዮስ ናይ ሮማ ሠራዊት ሓላፊ ኮይኑ ንፋርስ ክወግእ ከደ። ኣብቲ ውግእ ፋርሳውያን ሓይሉም ንሮማውያን ሰዓርዎም። ጋሌሪዮስ ተማሪኹ ናብ ፋርስ ምስ ተወስደ መሊቑ ኣንጾክያ ኣተወ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ዲዮቅልጥያኖስ ነቲ ኣብ ፋርስ ዝተገብረ ኵነታት ክሓትት ናብ ካህናተ ጣዖቱ ከጠንቀ-ል ከደ። ሽዑ ነቲ ዓቢ ጣዖቱ ኣጵሎን (ኣምላከ ፀሐይ) ዝብሎ ነቲ ልሙድ ዝኾነ ገፈራ ድሕሪ ምቕራቡ ካብቶም ካህናት መልሲ ክረክብ እየ ኢሉ እንተ ተጸበየ ከይነገርዎ ሰኞ በሉ። እንታይ ኢዩ ምክንያቱ ኢሉ እንተ ሓተተ “ ካብቶም ተኸተልትኻ ብትእምርተ መስቀል ዘማዕትቡ ክርስቲያን ስለ ዘለዉ እዩ” በልዎ። በዚ ሓሪቑ ኣብ ልዕሊ ኩሎም ክርስቲያን ናይ ሞት መቕጻዕቲ ኀኽፍጸም ኣዘዘ።

ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ጋሌሪዮስ ናብ ግዝኣቱ ተመልሰ። ምስ ተመልሰ እቶም ካህናተ ጣዖት ተኣኪቦም ከይዶም “ ክትሰዓር ዝኽኣልካ እኮ ኣብ ውሽጢ ሠራዊትካ ክርስቲያን ስለ ዝነበሩ እዩ” ኢሎም ነገርዎ።

ዲዮቅልጥያኖስ ክርስቲያን ዘቡኡ ኣብ ውሽጢ ሠራዊት ከይርከብ ኣዘዘ። ብእኡ ዝምራሕ ክርስቲያን እናሃደነ ዘጥፍእ ጸረ-ክርስቲያን ዝብል ትካል (ድርጅት) ኣቑመ። ብዙሓት ክርስቲያን ቅርስታቶም ከምዘይነበሩ ኮኑ።

ዲዮቅልጥያኖስ ካልኣይ ንክርስቲያን ዝጸልኣሉ ምክንያት-ከምቶም ቅድሚኡ ዝነበሩ ነገሥታት ምስሉ (ማርሞኡ) ኣስሪሑ ኩሉ ናይ ሮማ ዜጋ ነቲ ምስሉ ክሰግዱን ከምልኹን ክብሪ ክህቡን ምስ ኣዘዘ ቤተክርስቲያን ነዚ ትእዛዝ እዚ ኣይተቐበለቶን። ብናይ ቤተክርስቲያን መምርሒ “ፈጣሪ ድኣ እምበር ፍጡር ኣይምለኽን” እዩ። ስለዚ ተደፊርኩ፣ ተነዓቕኩ ኢሉ ኣብዚ ግዜ'ዚ እቶም ናይ ኣጵሎን ካህናቱ ክርስቲያን ዘበለ ኀኽጥፍእ ኣማኸርዎ። በዚ ምክ/ዚ መሠረት ካብ ወርሒ መጋቢት 303 ዓ.ም ኣትሒዙ ንዘይተወሰነ ግዜ ክርስቲያን ኩሉ ኣብ ዘዘለውዎ ንክርሸኑ ኣዘዘ። ተመሳሳሊ ዘይብሉ ህልቂት ከኣ ኣብ ቤተክርስቲያን ተፈጸመ።

ናይ ዲዮቅልጥያኖስ ምቕታሉ ጥራይ ዘይኮነ ክፉእ፣ እቲ ዓ ይነት ኣቀታትልኡ ኣዝዩ ጽዩፍ እዩ ነይሩ። ከይቀተለ ህዋሳቶም በብንእሽቶ እናቆራረጸ የሳቕዮም ነበረ። ነቲ

ወተሃደር ዝቐረጽዎ ሥጋ ቅዱሳን ሰማዕታት ከኣ ወሲዶም ነቶም ጣዖታቱ የዓጥነሉ ነበረ። ክርስቲያን ግን ብዝበለጸ ኣብ እምነቶም ጸንዑ፣ ገሊኦም ከኣ ናብ ጸድፊ፣ ናብ በረኻ እናተሰደዱ ብሕቡእ ሕቡእ ሃይማኖቶም ምምሃር ቀጸሉ።
ዲዮቅልጥያኖስ ኣብ ከተማ ኒቆዲሞስ ኣብ ዝርከብ ቤተ-መንግሥት በረኽ ቦታ ኮይኑ ክርስቲያን ክሕረዱ እንከለዉ፣ ኣብያተ ክርስቲያን ብሓዊ ክቃጸሉ ከለዉ፣ ኣማዕድዩ ክርኢ ይፈቱ ነበረ። እዚ ኩሉ ናይ ጭካኔ ህልቂት እኳ ኣብ ርእሲ-ኦም እንተወረደ ክርስቲያን ግን ከም ንሓደ ዓቢ ገረብ እንተቐረጽካዮ፣ መሊሱ ጨብጪቡ ዝበዝሕን ዝበልጽን እናበዝሑ ከዱ።

## ዲዮቅልጥያኖስ ዝኣወጀ ትእዛዛት፡-

ሀ. ድሕሪ ሓደ ዓመት ኣብያተ ክርስቲያናት ይተዓጸዉ ኣብያተ ጣዖታት ይርሓዉ።
ለ. ክርስቲያን ነንሓድሕዶም ከይራኸቡ።
ሐ. ስለ ክርስትና ሃይማኖት ዝናገሩ መጻሕፍቲ ኩሎም ክቓጸሉ
መ. ናይ ቤተክርስቲያን ንብረት ዘበለ ኩሉ ክውረስ።
ሠ. ማንም ሮማዊ ክርስቲያን እንተኾይኑ ካብ ናይ መንግሥቲ ስራሕ ክእለ፣ መሰሉ ከምዘይሕለወሉን ከሳቐይዎን፣
ረ. ባራዩ (ኣገልገልቲ) ክርስትና እንተ ተቐቢሎም ናይ ነጻነት ዕድል ከይረኽቡ።
ሰ. ክርስቲያን ዋላ ሕጋዊ ክረትዑሉ ዝኽእሉ ምኽንያት እንተ ሃለዎም ምስ ዝኾሱ ስለ መሰሎም
ክከራኸሩ ኣይኽእሉን ዝብል ኣዋጅ ኣወጀ።ቤተክርስቲያን ቁሩብ ከተዕርፍ ዝኾኣለት ድሕሪ <u>300</u> ናይ መከራ ግዜ ብዘመነ ቈስጠንጢኖስ ዓቢ እዩ።
ናይ ቤተክርስቲያን ሕይወት ኩሉ ግዜ ናብ መስቀል ምጥማት እዩ። ድሕሪ ብዙሕ ምግዳል ግን ብዙሓት ማረኻ እያ። ተጋድሎ ማለት ምእንቲ ሃይማኖት ከስተምህሩ እንከለዉ ብዓላውያን መከራ ምጽጋብ፣ ብሓሰውቲ ምስቓይ፣ ብኢድ ከሓድያን ምሟት እዩ።
ኣጋንንት፣ ንነፍስ ዝወግኡ እኩያን ፍትወታት ምቕዋም፣ ኃጢኣት ንምቕዋም ወሲንካ ብጽንዓት ምቕላስ ውን ተጋድሎ እዩ። ብሰይፍ ዝተመትሩ፣ ብመጋዝ ዝተመገዙ፣ ብሓዊ ዝነደዱ ናብ ኣናብስት ዝተደርበዩ፣ ብጠቐላላ ብብዙሕ ስቓያት ዝተፈተኑ ቅዱሳን ሰማዕታት ይብሃሉ።። ሰማዕትነት ብኣፍ፣ ብመጽሐፍ ብቓል፣ ብተግባር ብምእማንን ምትእምማንን እዩ ሮሜ 10፥9-11, 2ኛቆሮ4፥13 ያዕ. 2፥8-26።
ናይ ተጋድሎ መንገዱ ብዙሕ እዩ። ቀዳማይ ጸም፣ ጸሎት፣ ስግደት፣ ምጽዋት ዝኣመሰሉ እዮም። እዚኣቶም ብናትካ ፍቓድ ዝፍጸሙ ትሩፋት እዮም።
ካልኣይ ከኣ፡- “ፈጣሪኹም ክሓዱ ንጣያት ስገዱ” ዝብል ክመጽእ እንከሎ፣ ሃይማኖት ዘክሕዱ መናፍቓን ክትንሥኡ ከለዉ፣ “ፈጣሪና ኣይንክሕድን ኢና፣ ንጣያት ኣይንሰግድን፣ ናይ መናፍቕነት ትምህርቲ ኣይንቕበልን ኢሎም ከይፈርሁን ከይሓፈሩን ኣብ ኣደባባይ ቆይሞም ብምምስካር ዝቕበልዎ ጸዋትዉ መከራ እዩ። መስቀል ሞቱ ተሰኪሞም ዝኽተልዎ ማለት እዩ (ማቴ 10፥8-9) ቅዱሳን ሰማዕታት በዚ መንገዲ'ዚ ተጓዒዞም እዮም ናይ ክብሪ ኣኽሊል ክደፍኡ ዝኽኣሉ።

## ሰማዕት ዝብል ትርጉሙ

ሰማዕት ዝብል መጸውዒ ሰዋስዋውን ሃይማኖታውን ትርጉማት ኣለውዎ። ብሰዋስዋዊ ትርጉሙ “ሰምዐ” ካብ ዝበለ ግዕዛዊ ግስ ዝተረኽበ ክኸውን ከሎ ምምስካር፣ ምስክር ምኻን ዝረኣይዎን ዝሰምዕዎን ምንጋር፣ ርእየ፣ ሰሚዐ ማለት ሰማዒ ዝሰምዕ ዝቕበል፣ ሰማዒ መስካሪ፣ ምስክር፣ ሰማዕት ዝምስክሩ፣ መስከርቲ ማለት እዩ።
ሰማዒ፣ ንሓደ ኽከውን እንከሎ፣ ሰማዕት ንብዙሓት፣ ሰማዕ ታት ንናይ ብዙሕ ብዙሕ እዩ።
ሰማዕት ብጥንተ ትርጉሙ ብዙሓት ኣብ ዝተኣከቡሉ ኣደባባይ ብግልጺ ዝወሃብ ምስክርነት *“ኣማን ኣማን እብለከ በዘነአምር ንነግር፣ ወበዘርኢነ ሰማዕተ ንክውን፣ ወሰምዓነሰ ተአብዩነ ነሢአ”* ትርጉሙ ብሓዊ ብሓዊ እብለካ ኣሎኹ፣ እንፈልጦ

ንዛረብ ዝረኣናዮ'ውን ንምስክር ኣሎና። ነዚ ምስክርና ግና ኣይትቕበልዎን ኢኹም። (ዮሓ. 3፥11-12)

## ሰማዕትን ሰማዕትነትን ዝብል ትርጉሙ

*“ ንዚንወክሙ በእንተ ውእቱ ዘሀሎ እምቅድም ውእቱ፡ ዘሰማዕናሁ በእዘኒነ ወዘርኢናሁ በአእይንቲነ፡ ወዘጠየቅናሁ። ወዘገሠሣሁ እደዊነ። በእንተ ነገረ ሕይወት እስመ ሕይወት ተዓውቀት ለነ ወርኢናሃ፡ ወሰምዓ ኮነ ወንዚንወክሙ ለክሙኒ ሕይወተ እንተ ለዓለም እንተ ሀለወት ኀበ፡ አብ ወተዓውቀት ለነ ወርኢናሃ ወሰማዕናሃ ወንዚንወክሙ ለክሙኒ ከመ አንትሙኒ ትኩኑ ሱታፌ ምስሌነ”* ትርጉሙ “ ብዛዕባ እቲ ካብ መጀመርታ ዝነበረ ንሕና ዝሰማዕናዮ፡ በዕይንትና ዝረኣናዮ፡ ዝጠመትናዮ፡ በእዳውና ዝዳህሰስናዮ ቃል ሕይወት ንነግረክሙ ኣሎና። ሕይወት ተገሊጻ እያ። ንሕና ከኣ ርኢና ኢና። ንምስክር ውን ኣሎና። እታ ንዓና ዝተገልጸት ምስ ኣቦ ዝነበረት ዘለዓለማዊት ሕይወት ድማ ንነግረኩም ኣሎና። (1ይዮሓ ፩፥፩-፫)

በዚ መሠረት “ሰማዕት” ዝብል መጸውዒ ቀደም ንሓዋርያት ጥራይ እዩ ዝምልከት ዝነበረ። ምኽንያቱ፡-

- ሥግው ቃል ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብዓይኖም ርእዮም፡ ብእዝኖም ሰሚያም፡ ብኢዶም ዳህሲሶም መስከሩ (1ይ ዮሓ. 1፥1-2)
- ብእኡ ተላእኾም ማቴ 10፥1-4
- ድሕሪ ምትንሥኡ ርእዮሞ (ዮሓ. 21፥1)
- ብስሙ ሓዋርያዊ ተኣምራት ይሰርሑ ነይሮም (ማር 16፥17-18, 2ይቆሮ 12፥12) ንሱ ውን ባዕሉ ምስክራተይ ኢልዎም እዩ።

*“ ኣላ ሰብ ይወርድ ላዕሌክሙ መንፈስቅዱስ ትነሥኡ ኃይለ፡ ወትከውኑኒ ሰማዕትየ፡ በኢየሩሳሌም ወበኩሉ ይሁዳ፡ ወሰማርያ ወእስከ ኣጽናፈ ምድር”* ትርጉሙ ድማ መንፈስ ቅዱስ ናብቶትኩም ምስ ዝወርድ ግና ኃይሊ ክትቅበሉ ኢኹም። ኣብ ኢየሩሳሌምን ኣብ ኩላ ይሁዳን ኣብ ሰማርያን ክሳብ ወሰን ምድሪ ከኣ መሰኻኽረይ ክትኮኑ ኢኹም” በሎም። (ግብ. 1፥3) ከምዝብል ብካልእ ወገን ኣብ ደሓር ዘመን “ ሰማዕት” ዝብል ቃል ሃይማኖታዊ ትርጉሙ ምእንቲ እግዚኣብሔር ምእንቲ ቅድስት ቤተክርስቲያን፡ ብጠቕላላ ስለ ሃይማኖት ብሓቕን ብእምነትን ብምምስካሩ ዝባኑ ንመግረፍቲ፡ ሰውነቱ ንሓዊ፡ እግሩ ንሰንሰለት፡ ክሳዱ ንሴፍ ኣሕሊፉ ዝሃበ። ብዳርባ እምኒ ተቐጥቂጡ፡ ብመንኰራኵር ተጣሒኑ ብኵናት ተወጊኡ፡ ብስደትን ማእሰርትን፡ ኣብ በረኻ ኣብ በዓቲ ተንከራቲቱ ዝዓረፈ ቅዱስ ኣቦ ይኹን ቅድስቲ ኣደ ዝወሃብ እዩ።

*“ ኣማን መኑ ሰማዕት ጣዕማ ለዛ ዓለም ወከዐዉ ደሞሙ በእንተ እግዚኣብሔር ውተወገሡ ሞቱ መሪረ በእንተ መንግሥተ ሰማያት”* ትርጉሙ ሰማዕታት ንናይ እዚ ዓለም'ዚ ጣዕሚ ብሓቂ ነዓቑ። ደሞም ከኣ ስለ እግዚኣብሔር ኢሎም ኣፍሰሱ። ምእንቲ መንግሥተ ሰማያት መሪር ዝኾነ ሞት ተዓገሱ” (ዘሐሙስ ውዳሴ ማርያም) ከም ዝብል።

ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ሕቑፊ ኣዲኡ ኮይኑ ናብ ምድረ ግብፅ ምስዳዱ “ ንሰማዕታት ስደት ክባርኽለሙ እዩ” ተባሂሉ ተተርጕሙ ኣሎ ማቴ 2፥15 እዚ ከኣ ሰሪሑ ሥርሑ ኻኽብል እዩ።

ኣብ ትምህርቲ'ውን *“ ኣንሰ በእንተ ዝንቱ ተወለድኩ፡ ወእንበይነ ዝንቱ መጻእኩ ውስተ ዓለም ከመ እሁን ሰማዕተ በእንተ ጻድቅ”* ትርጉሙ ድማ ኣነ ንሓቂ ክምስክር እየ ዝተወለድኩ፡ ምእንቲ እዚ'ውን እየ ናብ ዓለም ዝመጻእኩ ዮሓ. 18፥37

ንቅዱሳን ሰማዕታት መምርሒ ዝኾኖም “ነቲ ነፍስን ሥጋን ኣብ ገሃነም ከእቱ ዝከኣሎ ድኣ ፍርህዎ እምበር፡ ነቶም ንሥጋ ክቕትሉ፡ ንነፍሲ ግና ክቕትልዋ ዘይከኣሎም ኣይትፍርህዎም። (ማቴ 10፥18, 1ይጢሞ 2፥6) እቲ ነዚ ኩሉ መከራ ዘክኣሎም'ውን ብእኡ ብዝፍጸም ኃይሊ መንፈስቅዱስ እዩ።

“ እዚ ቀልጢፉ ዝሓልፍን ፈኵሽ ዝኾነ ጸበባናን ከኣ ካብ ኩሉ ዝበልጽን መዘና ዘይብሉን ዘለዓለማዊ ክብርን የጥርየልና ኣሎ።” (2ይቆሮ 4፥17)

“ እዚ ሰብነት'ዚ ለቢስና ኩልሳዕ ትብዓት ኣሎና፡ . . . 2ይቆሮ 5፥6-9, 2ይቆሮ 4፥8-9, ዮሓ. 15፥18-20 *“ወዘልፈ ንጸውር ሞቶ ለክርስቶስ በሥጋነ ከመ ይትዐወቅ ሕይወቱ ለክርስቶስ በላዕለ ዝንቱ ነፍስነ መዋቲ እስመ ንሕነ ዘነሐዩ ወትረ ንትሜጠ ለሞት በእንተ ኢየሱስ ክርስቶስ ከመ ሕይወትኒ ለኢየሱስ ይትዐወቅ በላዕለ ነፍስነ መዋቲ”* ይብል። 2ይቆሮ 4፥10-11, ሮሜ 8፥35-39) “

ካብ ፍቕሪ ክርስቶስ ዘፈልየና መን እዩ፡ “ምእንታኻ ምሉእ መዓልቲ ንቕተል ኣሎና፣ ከም ኣባጊዕ ማሕረዲ'ውን ተቈጸርና” ዝብል መጽሐፍ ዘሎ መከራ ዶ፡ ጸበባ ዶ፡ ስደት ዶ፡ ጥሜት ዶ፡ ዕርቃን ዶ፡ ድንገት ዶ፡ ወይስ ሞት፡ (2ይ ቆሮ. 8፥35-36)

***ምንጪ፦***

***1. ነገረ ቅዱሳን ብ1997 ዓ.ም. ማኅበረ ቅዱሳን ካብ ገጽ 33-41***

***2. የቤተክርስቲያን ታሪኽ 3ይ ሕታም***

## ታሪኽ ሰማዕት ቅዱስ እስጢፋኖስ ሊቀ ዲያቆናት ወቀዳሜ ሰማዕት

ቅዱስ እስጢፋኖስ ኣቡኡ ስምዖን ኣዲኡ ማርያም ስና ይበሃሉ። እስጢፋኖስ ማለት ብናይ ግሪኽ ቋንቋ “ፀጥታ” “ወደብ” “ኣክሊል” ማለት እዩ። ነገደ ትውልዱ ብንያማዊ እዩ። ጥሪ ዕለት ፩ ተወልደ። ወለዱ ፈራህቲ እግዚኣብሔርን ኣመንትን ነበሩ። እተወልደሉን ዝሞተሉን ሓደ መዓልቲ እዩ። ዝተወለደላ ቦታ “ሐኖስ” “ከለዳዊ” እያ፣ እትብሃል።

ኣብ ዘመነ ሐዋርያት ዝነበሩ ማኅበረ ምእመናን ኣብ ሞንጎ ናይ ኣረማውያንን ኣይሁድን ኣንስቲ ክርክር ተላዒሉ ምንቕቓፍ ምስ ኮነ፣ ንምእመናን ብግቡእ ዘመሓድሩ ሸውዓተ ዲያቆናት ተሾሙ። ካብዞም 7 ሓደ ቅዱስ እስጢፋኖስ እዩ። ቅዱስ እስጢፋኖስ ናይቶም 6 ዲያቆናት ሓለቓ (ሊቀ ዲያቆናት) ኮይኑ ንምእመናን ብግቡእ እናስተምሃረ፣ ተኣምራት እናገበረ ብርቱዕ ሊቀ ዲያቆናት ኮነ።

### ካብ ዝገበሮ ተኣምራት

ኣብ መጽሓፈ ገድሉ ከምዝተጻሕፈ “ናየድ” ዝተባህለ ጠንቂሊ ናብ ሓደ ብዕራይ ከይዱ ኣብ እዝኡ ሕሹኽ እንተበሎ ብምትሃት ናብ ክልተ ተኸፍለ። ቅዱስ እስጢፋኖስ ካብ መንፈስ ቅዱስ ብዝተዋህቦ ጸጋ ነቲ ዝተመቕለ ኣጋጢሙ ነቲ ዝሞተ ብዕራይ ኣተንሥኡ፣ ነቲ ብዕራይ “ንናየስ ንዓ ኢልካ ጸዊዕካ ኣምጽኣዮ” በሎ። እቲ ብዕራይ ከም ኣድጊ በልኣምን ከም ሰብን ኣፍ ኣውጺኡ ንናየስ “ቅዱስ እስጢፋኖስ ይደልየካ ኣሎ ኢሉ ጸውያ”። ኣቐዲሞም በዚ ጠንቂሊ ዝታለሉ ዝነበሩ ሕዝቢ፣ ዝተገብረ ተኣምራት ብምርኣይ ኣሚኖም ተጠመቁ። በዚ ምኽንያት ኣብ ኣይሁድ ቅንኣት ሓደረ፣ ኣብ ልዕሊ ቅዱስ እስጢፋኖስ ክፉእ ንኽፍጽሙ ከኣ ኣበጋገሶም።

ኣብ ዘመነ ሐዋርያት ኣብ ኢየሩሳሌም ጥራይ 480 ምኵራባት ነበራ። እዘን ምኵራባት እዚኣተን ብናይ ዝተፈላለዩ ሃገራት ኣይሁድ መዕረፊኦም ኢሎም ዘስርሕወን ንደቆም ትምህርቲ ዘምህሩሉ እውን ኣብኡ ብሓደ ነበረ። ካብዚኣተን ከኣ እተን 5 ምኵራባት ንቅዱስ እስጢፋኖስ ክቕትላኡ ተሰማምዓ። ንሳተን ድማ፡-

1. ኣብሮም ዝነበሩን ደሓር ካብ ባርነት ነጻ ዝወጽኡ ኣይሁድን ዘስርሕዎ፣
2. ናይ ቀሬን ኣይሁድ
3. ናይ ኪልቂያ ኣይሁድ
4. ናይ ንእሽቶይ እስያ ኣይሁድ
5. ናይ እስክንድርያ ኣይሁድ እየን።

እዞም ኣይሁድ እዚኣቶም ናብ ቅዱስ እስጢፋኖስ መጺኦም ይከራኸርዎ ነበሩ” (ግብ. 6፥8) መጽሐፍ ቅዱስ እኳ እንታይ ብዝብል ክርክር ከምዝተኸራኸርዎ ኣይነግርን እዩ። ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ግን ብኸምዚ ዝስዕብ ይገልጾ።“ኣንታ መንእሰይ እስከ ንገረና ነዚ የዋህ ሕዝቢ ዘይከውን ነገር እናኣስተምሃርካ ማራኺ ዝኾነ ተኣምር እናገበርካ፣ ስለምንታይ ተስሕቶ ኣሎኻ፡ እዚ ኣምላኽ እዩ እናበልካ እትሰብኮ እስከ ንገረና ካብ ማርያም ዝተወልደ ወዲ ጸራቢ፣ ዓለም ክፈጥር ዝኽእል ዶ ይመስለካ፡ ምስተወልደ ካብ ብዝሒ ድኽነቱ ዝተላዕለ ዝጽግዓሉ ስኢኑ፣ ብጨርቂ ተጠቕሊሉ፣ ካብ ንጉሥ ሄሮድስ ፈሪሁ ዝሃደመ ካብ ኃጢኣቱ ክጸሪ (ክነጽሕ) ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ዝተጠምቀ፣ ዝጠሚ፣ ዝጸምእ፣ ደኺሙ ዝድቅስ፣ ክተሓዝ እንከሎ ከምልጥ ዘይክእል፣ ተኸሲሱ ንዝተዋህቦ ሕቶ ምምላስ ዝስእን፣ ክሰቕልዎ እንከለዉ ካብ መስቀል ንምውራድ ዘይክእል፣ ከምቲ ርጉም ዝኾነ ብመስቀል ተሰቒሉ ዝመውት ዝተሰቕለ፣ ኣብ መቓብር ዝቐበርናዮ” *“ኣቡነ ዘበሰማያት ኢልና ክንኣምነልካ”*

እስከ ሕሰቦ እግዚአብሔር እንተ ዝኸውን ከምዚ ጌሩ ኣይምተሳቐየን፡ ነይሩ በልዎ።
ቅዱስ እስጢፋኖስ ኻኹሉ ዘቕረቡሉ ሕቶታት ግቡእ መልሲ እናሃበ ስለ ዘሕፈሮም ብቑጥዐ ተላዒሎም ብዘይ ሓንቲ ፍርዲ ካብታ ከተማ ንወገን ሰሜን ዘሎ ናብ ቄዳር ዝወስድ መንገዲ ብእምኒ ቀጥቂጦም (ጨፍሊቖም) ቀተልዎ።
ክዳውንቶም ዝሕልወሎም ዝነበረ ሳውል (ጳውሎስ) እዩ።
ንሱ'ውን ምስቶም ናይ ኪልቂያ ኣይሁድ ተሓባባሪ እዩ ነይሩ።
ቅዱስ እስጢፋኖስ ንሰማይ ቅንዕ ኢሉ እንተረአየ ምሥጢረ ሥላሴ ዝተገልጸሉ ቀዳማይ ሰማዕት ነቶም ብእምኒ ዝቕትልዎ ዝነበሩ ከምቲ ናይ ጐይታ ይቕረ በለሎም ኢሉ ጸለየ፡ ብእምኒ ክቕትልዎ ከለዉ ኦ ጐይታ ነፍሰይ ተቐበል፡ በደለይ ሕደገለይ ክብል እንከሎ እዩ ሰማይ ተኸፊቱ ዝረኣየ (ግብ. 6፥7)

## ዕረፍቱ

ቅዱስ እስጢፋኖስ መስከረም ዕለት ፲፩ ፍልሰተ ሥግኡ ክኸውን እንከሎ ጥቅምት ፱ ከኣ ቅዳሴ ቤቱ እዩ። ጥቅምት ፲፯ ሊቀ ዲያቆናት ተሾመ፡ ጥር ዕለት ፭ ከኣ ቅድስት ነፍሱ ንእግዚአብሔር ዝሃበላ ዕለት እያ።
ናይ ፲፩ መስከረም ስንክሳር ከምዚ ዝስዕብ ይብል፡- “ንጉሥ ቈስጠንጢኖስ ኣብ ዝነገሠ ናይ ቅዱስ እስጢፋኖስ ሥጋ ኣብ ዝነበረሉ ከባቢ ናይ ገማልያል ትብሃል ቦታ ሉክያኖስ ዝተባህለ ሰብ ነበረ። ነዚ ሰብ'ዚ ቅዱስ እስጢፋኖስ ብሕልሚ እናተገልጸ “ኣነ እስጢፋኖስ እየ፡ ሥጋይ ኣብዚ ቦታ'ዚ ተቐቢሩ ኣሎ” ይብል ነበረ።
እዚ ሰብ'ዚ ንናይ ኢየሩሳሌም ኤጲስቆጶስ ኩሉ ዝረኣዮ ነገሮ። ንሱ ከኣ ብኽብርን ብምስጋናን ንመቓብሩ ኮሚቴ ኣውጺዑ ናብ ጽርሃ ጽዮን ወሰዶ።
ድኅሪኡ ኣብ ቀኖስጠንጥንያ ዝነብር እለስክንድሮስ ዝተባህለ ጽብቕቲ ቤተክርስቲያን ሰሪሕሉ ሥግኡ ናብኡ ኣግዓዝዎ። ንሱ ሞይቱ ድኅሪ ፭ (5) ዓመት ኣብ ጐድኒ ናይ እስጢፋኖስ ቀበርዎ። ሽዕኡ ሰበይቱ ናይ ሰብኣያ ሬሳ ኮዓ ታ ናብ ቀኖስጥንጥንያ ክትወስድ ክትብል ተጋግያ ንናይ ቅዱስ እስጢፋኖስ ኣስከሬን ካብ ዝመውት ድሕሪ 300 ዓመት ኣብ መርከብ ጽዒና እናተጓዕዘት ካብቲ ሳጹን ጥዑም ሽታን ምስጋና መላእኽትን ትሰምዕ ነበረት። ሽዑ ናይ ቅዱስ እስጢፋኖስ ኣስከሬን ምኻኑ ፈለጠት፡ እዚ ከኣ ፍቕድ ኣምላኽ ከም ዝኾነ ተረዲኣ ንኢየሩሳሌም ክትመልሶ ኣይደለየትን። ከይዳ ከኣ ንንጉሥ ነገረቶ። ንሱ ምስ ጳጳስ መጺኡ ብኽብሪ ተቐቢሎም ናብ ቤተ-መንግሥቲ ኣእተውዎ። ብዙሕ ተኣምራት ከኣ ኣርኣየ። እቶም ተጸዒንዎም ዝነበሩ ኣፍራስ ቀኖጥንጥንያ ምስ በጽሑ ምኻድ ኣብዮም ቆሙ፡ ዋላ እንተኸትከትዎም ኣበዩ። ሽዕኡ “ ናይ ቅዱስ እስጢፋኖስ ሥጋ ኣብዚ ኣንብርዎ” ዝብል ድምጺ ካብቶም ኣፍራስ ሓደ ተሰምዐ። ነዚ ዝሰምዑ ኮላቶም ተገረሙ፡ ንኣምላኽ ኣመስገኑ፡ ጸጋ ኣምላኹ ንቅዱስ እስጢፋኖስ ምስ ኮላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።

- ሰላም ለእስጢፋኖስ ኣፍልሶ ሥጋሁ ዘተበሃሉ።
- በዲበ ኣብቅልት ክልኤቱ እንዘ ያሌዕሉ።
- ኣመ ነድእዎሙ ሶበ ለኦርእዮ ዓቢይ ኃይሉ።
- ነበበ እንዘ ይብል ኣሐዱ እምእሉ።
- መካነ ሥጋሁ ዝንቱ ለቅዱስ ዘይደሉ።

✠ ✠ ✠

# ታሪኽ ሰማዕት ቅዱስ ጊዮርጊስ ሊቀ ሰማዕት

ሊቀ ሰማዕታት ቅዱስ ጊዮርጊስ ሃገሩ ፍልስጥኤም ብፍላይ ከኣ ልዳ ትብሃል። ኣቡኡ ዘሮንቶስ (ኣንስጣስዮስ) ኣዲኡ ቴዎብስታ (ኣቅሌስያ) ይብሃሉ።
ጊዮርጊስ ማለት መስተገብረ ሃይማኖት ማለት እዩ (ምእንቲ ሃይማኖት መከራ ክቕበል)። ዕለት ፪ (2) ጥሪ ብ፪፻፹፯ / 277 ዓ.ም. ኣብ ፍልስጥኤም ኣብ ልዳ ዝተባህለ ቦታ ተወልደ። እዛ ልዳ ተባሂላ ዘላ ቅድም ሊቀ ሓዋርያት ቅዱስ ጴጥሮስ ተኣምራት ዝፈጸመላ ቦታ ክትከውን እንከላ ኣቡኡ ዘሮንቶስ ናይ'ዛ ሃገር እዚኣ ገዛኢ ነበረ።

ቅዱስ ጊዮርጊስ ክልተ ኣዋልድ ኣኃትኡን ነበራኡ። እታ ሓንቲ እስያ፣ እታ ካልኣይቲ ማርታ ይብሃላ። ወዲ ፯ (7) ዓመት ምስ ኮነ፣ ኣቡኡ ዘሮንቶስ ዕለት ፳፫ (23) የካቲት ሞተ። ናይ ኣዲኡ ዓዲ ከኣ ኣብ ውሽጢ ፍልስጥኤም ናይ ሮማ ግዝኣት ኣብ ዝኾነት ብፍላይ ከኣ ድያስ ዝተባህለት ቦታ ነበረት። ከምኡውን ናይ ቀጸዶቅያ ግዝኣት ነበረት።
ኣብዚ ዘመን'ዚ ሓደ ንጉሥ ኣብ ሮማ፣ ሓደ ንጉሥ ከኣ ኣብ ኣንጾክያ ነጊሦም ነበሩ። ጋላሰን ጋሪሰን ከኣ ይብሃሉ። ንዘሮንቶስ ኣብ ቂሳርያ መስፍን ጌሮም ሽይሞሞ ነበሩ። ቅዱስ ጊዮርጊስ ምምካት፣ ፈረስ ምግላብ፣ ተማህረ።
ኣብዚ ወዲ ዕስራ ዓመት ዝኾነሉ ኩሉ ምሥጢራተ መጻሕፍቲ ኣዳላዲሉ ተማህረ። ፈረሱ ፃዕዳ ፈጣን ፍትው መንፈሳዊ ኮይኑ ክዓቢ እንከሎ ምስኡ ይዓቢ ነበረ።
ቅዱስ ጊዮርጊስ ናይ ኣቡኡ ዘሮንቶስ ሽመት ክቕበል ናብዛ ሎሚ ኢራን ፋርስ፣ ባቢሎን ትበሃል ዘላ ፬ (4) መሰነይታ ሒዙ ኸደ።
ዝኸዶ ከኣ ናብ ንጉሥ ዱድያኖስ እዩ። ገጸ በረከት'ውን ተማልኣ። ናይ ቤሩት ሰባት ደቂ ኣንስትዮ ደቆም ንደራጎን ግብሪ ዝህቡ ኣረማውያን ሕዝቢ ነበሩ። ቤሩት ኣብ ዓባይ ሊባኖስ ትርከብ። ቤሩት ተቐማጦ ናይዛ ሃገር እዚኣ ብገበል የምልኹ ስለዝነበሩ ኩሉ ተወዲኡ፣ ጓልካ ናይ ምሃብ ታራ ናብቲ ንጉሥ ስለዝበጽሐ ጓሉ ወሲዱ ኑቲ ዝምልክዎ ዝነበሩ ገበል ደራሩ ክትኮኖ ኣብ ዓቢ ገረብ ኣሲርዋ ናብ ቤቱ ተመልሰ።
ቅዱስ ጊዮርጊስ ክኸይድ ከሎ ተኣሲራ ክትበኪ ጸንሓቶ። “ኣንቲ ጓለይ እንታይ ኼንኪ ኢኺ ትብኽዪ ዘሎኺ፡” በላ። “ንሳ ኣነ በቲ ናይ ሃገርና (ቤሩት) ሕጊ ዘውጽኡ መሠረት ኑቲ እነምልኾ ገበል (ደራጎን) ድራር ተዋሂበ እየ”። “ኣነስ ዕድለይ ኮይኑ ተዋሂበ ኣሎኹ በጃኻ ግዳ ንዓኻ ከይበልዓኻ ቀልጢፍካ ህደም ውን” በለቶ።
ቅዱስ ጊዮርጊስ ልቡ ተተንከፈ። “ሽዑ ነቶም መሰነይታኡ ፬ (4) ሰባት ኣነ ተሸይመ ክመጽእ እየ። ንሸኻትኩም ግን ተመለሱ” በሎም። ከምዚ ኢሉ ኑቲ ገበል ከም ናይ ሓርገጽ ስኒ ዘለዎ ከም ኣሞራ ክንፊ ዘለዎ ቁመቱ ፴ (30) ሜትሮ ወይ ከኣ ፷ (60) እመት ዝኾነ እቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ደራጎን ኣምላኾም ክኸይድ እንከሎ ዶሮና ዑብ እዩ ዝብል። ቅድሚ ምብላዑ ኣቐዲሙ ክበልዕ ክብል እንከሎ መርዚ ብእስትንፋሱ ኡፍ ኢሉ ይሰድድ እሞ ሰብ እንተሎ ከኣ ይውሕጠ። ቅዱስ ጊዮርጊስ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፣ እቲ ኣራዊት ካብ ርሑቕ ክመጽእ እንከሎ እታ ጓል ኣማዕድያ ረኣየቶ እሞ መጺኡ በለቶ። ንሱ ኣቐዲሙ ብትምእርተ መስቀል ኣማዕተበሉ። በቲ ናይ ወርቂ ኵናት ወርዊሩ ክወግኡ እንከሎ ተጠምጠሞ እሞ ቀልጢፉ ከኣ ሞተ። ሽዑ ነታ ድራሩ ክትከውን ዝተሓሰበት ጓል ጓትትዮ በላ። ንሳ እናጉተተት ናብቲ ከተማ ኣእተወቶ። ሰብ እታ ከተማ ኩሉ ጫቕኡ ጫቕኡ በለ። ቅዱስ ጊዮርጊስ “ *እመኑ በእግዚእየ ኢየሱስ ክርስቶስ* ” በሎም። ኣሚንና ምስ በሉ ጐቲትኩም ደርብይዎ በሎም። ፵ (40) ሰባት ኮይኖም ክጓትትዎ እንተበሉ ምኽኣል ሰኣንዎ። ነታ ጓል ጓትትዮ በላ ንሳ ግና ጐቲታ በቲ ጸድፊ ደርበየቶ ግን ኣይኣመኑን። ቅዱስ ጊዮርጊስ ስብኩቱ ቀጸለ። ኣብ ቅድሚ እቶም ፸ (70) ነገሥታት ከኣ መስከረ።

## ምስክርነት ቅዱስ ጊዮርጊስ

ቅዱስ ጊዮርጊስ ሊቀ ሰማዕት “ኑቲ ሓመድ ሰብ ጌሩ ዘተንሥእ ኣምላኽ እየ ዘምልኽ በለ። ሰማዕት ማለት ምስክር ማለት ክኸውን እንከሎ ቅዱስ ጊዮርጊስ ከኣ ናይ ኮላቶም ምእንቲ ስም ክርስቶስ ዝመስከሩ ሰማዕታት ሒለቓ ተባህለ (መክብበ ሰማዕት) ነዚ ክብሪ'ዚ ክረኽቦ ዝኸኣለ ከኣ ካብ ብዝሒ ገድሉን ስቓዩን ዝተላዕለ እዩ። ማቴ ፲፥፳፰ (10፥28)
ቅዱስ ጊዮርጊስ “ኣምላኽ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ድኣሉ እምበር ኣጽሎን ኣይኮነን። ብማለቱ ምስቶም ፸ (70) ነገሥታት ተኸራኸረ። ንሳቶም በል ነዞም ናይ ኮላትና መናብር እስከ ኣለምልሞም በልዎ። ንሱ ብጸሎቱ ኣለምለሞም፣ ግን ኣይኣመኑን።
ኣይኮነሎምን እምበር ንሳቶም ሲ ብገንዘብ፣ ብሥልጣን፣ ብሰበይቲ ብወርቂ፣ ብፍቕሪ ዓለም፣ ክሓባብ ልዎ ፍቲኖም እዮም። ንሱ ግን ብጽንዓቱ ብዙሓት ሕዝቢ ናብ እምነት

ክርስትና መለሰ። ኀኩሎም ዘእመኖም ከኣ ይስይፍዎም ነበሩ። ቅዱስ ጊዮርጊስ ከይፈርሐ፡ ከይሓፈረ ኣብ ምስክርነቱ ኣዝዩ ድኣ በርትዐ። ካብ ውሽጢ ቤተ-መንግሥቲ፡ ከይተረፈ ንሰይቲ ንጉሥ ዱድያኖስ ምሂሩ ኣእመና። ርጉም ሰብኣያ ከኣ ብገዛእ ሰበይቱ ብሰማዕትነት ከምትሓልፍ ገበራ። ናይ መንግሥተ ሰማያት ንግሥት ከኣ ኮነት።

እዚ ኣረማዊ ንጉሥ ንቅዱስ ጊዮርጊስ ብምቕታል ከጥፍኦ ከምዘይክእል ምስ ተረድኣ ሓደ ኣትናስያ ዝተባህለ፡ ጠንቋሊ ኣምጺኡ መርዚ ኣስትዩ ክቕትሎ እንተሓሰበ ሕጂ'ውን እቲ ዝቕትል መርዚ እኳ እንተኣስተዮ ኣይሞተን፡ ተመሊሱ ድኣ ነቲ ጠንቋሊ ኣእመኖ። ምስኡ'ውን ሠለስተ እልፍን ፮፻ (ሸውዓተ ሚእቲን) ሰባት ኣመኑ። ዱድያኖስ ክሓባብሎ እንተፈተነ ቅዱስ ጊዮርጊስ *“ወቅዱሰኒ ተሣለቀ ላዕሌሁ ከመ ውእቱ ይወግር ዕጣን ለኣማልክት” “ወተፈሥሐ ዱድያኖስ እሰመ መሰሎ ከመ እሙን ወሠረረ ከመ ይሰአም ርእሶ ወኣብኡ ውሰተ ጽርሐ መንግሥት ወተንሥአ ቅዱስ ወእንበበ መዝሙረ ዳዊት ወሰምአቶ ንግሥት ብእሲቱ ለንጉሥ ወሰአለቶ ከመ ይክሰት ላቲ ኩሎ ዘእንበበ”* ሸዑ ንጉሥ ዱድያኖስ ሓቂ መሲልዎ ተሓጕሰ። ንሱ ግን ከምቲ ኣብ ዳታንን፡ ኣቤሮንን ዝተፈጸመ ነቲ ጣያት ኣትዩ ብጸሎቱ ሓሸምሸም ኣበሎ። ቅዱስ ጊዮርጊስ ብጥበቡ ነቲ ጣያት በቲ ወዲ መበለት ጌሩ ጸዊዑ ዓጠምጠም ኣበሎ። ነታ ንግሥቲ እውን ኣብዚ እዋን'ዚ እዩ ካብ ፍጥረት ዓለም ኣትሒዙ ክሳብ ግዜ ምጽኣት ዘሎ ኣረዲኡ ዘእመና። እቲ ንጉሥ ግና ብገዛእ ሰበይቱ ሰቒሉ ቀተላ።

ምውት ኣተንሥአልና ክንኣምነካ ኢሎም ኣተንሢእሎም፡ ብዙሓት እውን ኣሚኖም። ከምኡ'ውን ከምቲ ናይ ነቢይ ኤልያስ ካብ ሰማይ ሓዊ ኣውሪዱ ነቶም ልቦም ከም ፈርዖን ዘትረሩ ፸(70) ነገሥታት ኣቓጸሎም።

ሠለስተ ጊዜ ሞይቱ ሠለስተ ጊዜ ተንሥአ። ወዲ ፳(20) ዓመት ከሎ እዩ እዚ ኩሉ ቃልሲ ዝጀመረን ዝተፈጸመን።

<u>መደምደምታ</u>

፩. ንሸውዓተ ዓመት ዝኣክል ተሳቐዩ። ይድራስ ኣብ ዝተባህለ ጎቦ ኣዕጽምቱ ኣጥሒኖም በተንዎ። ንሱ ግና ከተማ ኣትዩ ከስተምህር ጸንሐም።

፪. ኣዕጽምቱ ኣጥሒኖም ንእንስሳ ኣብልዕዎ። ብምሕኮልቶም ወጺኡ እውን ከስተምህር ጀመረ።

፫. ብሓዊ ማሕረሻ ኣርሲኖም ኣሳቐይዎ። ንዕኡ ግና ምንም ኣይተሰምየን። ብዝተፈላለዩ ዓይነት መከራ ኣሳቐይዎ።

፬. ጥሪ ዕለት ፲፰ (18) ኣዕጽምቱ ኣጥሒኖም ዝበተኑሉ ዕለት እዩ። ጎዳር ዕለት 7 (፯) ቅዳሴ ቤተክርስቲያኑ ንመ- መርታ ጊዜ ተኸበረ። ናይቶም 70 (፸) ነገሥታት መናብር ኣለምለመ ግን ኣይኣመኑን፡ ናይ ዱድያኖስ ሳእኒ እውን ኡፍ እንተበለሉ ብዕራይ ኮይኑ ተንሥአ ግን ኣይኣመኑን። ኣብ እንዳ ሓንቲ ድኻ መበለት ኣሲሮሞ፡ ነቲ ዝተኣስረሉ ዓንዲ ኣለምሊሙ ቤታ ከኣ ብብርሃን ተመልኣ። ንሳ “ ሎሚ ኣብ ገዛይ ኣምላኽ ኣተወ” በለት። ንሱ “ ኣነ ናይ ኣምላኽ ባርያ ድኣ እምበር ኣምላኽሲ ኣይኮንኩን” በላ። እታ መበለት ኣዝያ ተሐጐሰት። ሕሙም ዝነበረ ወዳ ከኣ ኣሕወየላ። ጸማማት፡ ልሙሳት፡ ዝተፈላለዩ ሕሙማት ኣሕወየ።

ቅዱስ ጊዮርጊስ ንኽቕትልዎ ክወስድዎ እንከለዉ “ነፍሰይ ፭ (5) ነገራት ትጸልእ” በለ። ንሳቶም ከኣ፡-

1. ንጉሥ ኮይኑ ፍትሒ ዘዳሉ፡
2. መምህር ኮይኑ ዘየስተምህር፡
3. ሃብታም ከሎ ነፋግ፡
4. ሽማግለ ከሎ ዘማዊ (፭፥ ቀሮ ፱፥፲፭)
5. ድኻ ከሎ ኩሩዕ (ሲራ ፳፭፥፪-፫)

ሸውዓተ ዓመት ፯ (7) ምስ ተጋደለ ካብታ ዝተወለደላ ዕለት ድሕሪ ፳፯ (27) ዓመቱ ፳፫ (23) ሚያዝያ ብ፫፻፬ (304) ዓ.ም. ዓርቢ ሰዓት ፱ (9) ክኸውን እንከሎ ክሳዱ ብሰይፍ ቆሪጾም ቀተልዎ። ኣብዚ ጊዜ'ዚ ፯ (7) ኣኽሊል ካብ ሰማይ ወረደሉ። ካብ ክሳዱ ከኣ ደም፡ ጸባ፡ ማይ፡ ፈልፈለ እዚ ሸውዓተ ኣኽሊላት ዝተቐበለ፡ ናይቲ ንሸውዓተ ዓመት ዝተጋደሎ ዝምልከት እዩ። ብቑልእ መልክዑ ከኣ ብዕ ብራውያን ቁጽሪ ፯ (7) ፍጹም ስለዝኾነ ናይ ገድሉን ክብሩን ፍጹምነት እዩ ዘመልክት።

<u>ቅዱስ ጊዮርጊስ ቅዱስ ዝተባህለሉ</u>

ቅዱስ ጊዮርጊስ ቅዱስ ዝተባህለሉ ብ1060 ዓ.ም. እዩ። ይድራስ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ፮፻ (600) ኦርቶዶክሳውያን ሊቃውንት፣ ኣብ ኣንጾኪያ ኦርቶዶክሳውያን ሊቃውንቲ ብዝሒ 450 ሊቃውንቲ ብ1222 ዓ.ም. 335 ሊቃውንቲ ተኣኪቦም በዓሉ ኣብ እስክንድርያ ከምዝክበር ተገብረ። ብ1300 ዓ.ም. 3ይ ኤድዋርድ ሥእሉ ከምዝሰኣል ተገይሩ። ሊቅ ኣውሳብዮስ ብኣዋጅ ከምዝክበር ገበረ። ድሕሪኡ ውን ኣብ ኢየሩሳሌም ዝነበረ ኣባ ልዑለ ቃል ዝተባህለ ጸድቕ ክሳብ ሶርያ ከይዱ ጽላት ናይ ቅዱስ ጊዮርጊስ ኣቕረጸ። ናይ ቅዱስ ጊዮርጊስ ኣብያት ክርስቲያናት ኣብ ሶርያን ግብጽን ኤርትራን ብብዝሒ ይርከቡ። ኣብነት ቅዱስ ጊዮርጊስ መንደፈራን ኣሥመራ ኣልፎሮማዮን ደብረ ሰማዕ ትን።

**<u>ቃልኪዳን</u>**

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ መጺኡ ዝሃቦ ኪዳናት፡- “ንኹሉ መዘከርታኻ ዝገብር ኣነ ኃጢኣቱ ክድምስሰሉ እየ” በሎ። ኩሉ ሰብ ኣብ ጊዜ ሽግሩ ብስምካ ንዝለመነኒ ኣነ ሽግሩ ክፈትሓሉ እየ በሎ። ነዚ ሂቡ ናብ ሰማያት ዓረገ።

***በረኸት ኣምላኽ ቅዱስ ጊዮርጊስ ንኹላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይሓልወና ኣሜን።***

- ሰላም ለከ ሠርዌ ሰማዕታት አእላፍ
- ዘሞገሰ ስምከ በጽሐ መንገለ ኵሉ አጽናፍ
- በቅድመ ፀሐይ ብሩኅ ዘኢየአርብ ዘዘልፍ
- ሕማምየ ዝሩ ነሚአከ በአፍ።
- ጊዮርጊስ ቀሊለ ክንፍ ከራድዮን ያፍ።

ምንጪ፡ 1. ታሪኽ ቅዱሳን ገጽ 182
2. ስንክሳር ሚያዝያ ዕለት ፳፫
3. ነገረ ቅዱሳን ገጽ —
4.ገድለ ቅዱስ ጊዮርጊስ

✠ ✠ ✠

# <u>ታሪኽ ሰማዕት ቅዱስ ቂርቆስን ኣዲኡ ሰማዕት ቅድስት ኢየሉጣን</u>

ቅዱስ ቂርቆስ ኣቡኡ ቆዝሞስ (ስምዖን) ኣዲኡ ኢየሉጣ ይብሃሉ። ሃገሩ ኣብ ታሕታይ እስያ፣ ብፍላይ ከኣ “ኣንጌቤን” ትብሃል። ኣንጌቤን ማለት ናይ ወይዘራዝር ሃገር ማለት እዩ። ጎዳር ዕለት 15 (፲፭) ተወልደ። እቲ ዘመን'ቲ ዘመነ ሰማዕታት ነበረ።

ቅድስት ኢየሉጣ ካብ ንእስነታ ኣትሒዛ ንእድቲ ሰበይቲ ነበረት፣ ስደት ምስ ኮነ ሕፃና ሒዛ ናብ ናይ ሮማ ከተማ ዞባ (ኣውራጃ) ኪልቂያ ብፍላይ ከኣ ናብ <u>ጠርሴስ</u> ተሰደት። ኣብዚ እዋን'ዚ እለእስክንድሮስ ዝተባህለ ከሓዲ ንጉሥ፣ ክርስቲያን ዝኾነ ሒዝኩም ናባይ ኣምጽኡለይ ኢሉ ኣዚዙ ነበረ። ቅድስት ኢየሉጣ ተታሒዛ ቀረበት። ዓዳ ምስ ሓተታ “ጓል ኣንጌቤን ዝኾንኩ ቤተሰበይ ንናይ ኢቆንዮን ሰባት ሓለፍቶም ዝኾኑ ኤሳውሮሳውያን እዮም። ኣነ እውን ብናትካ ትእዛዝ ምኽንያት ሃዲመ ነይረ፣ እነሆ ሎሚ ብኢድካ ተታሒዘ ” በለቶ። ንሱ ኣብ ኢደይ ከም ዝኣቶኺ ዶ ፈሊጥኪ ሕጂ እውን እቲ ዝሕሸኪ ምረጺ፣ ሽምኺ ውን ንገርኒ “ኣነ ከኣ ጥራይ ሕራይ ኢልኪ ንኣማልኽተይ ስገዲ እምበር ከኽብረኪ እየ” በላ። ንሳ “ ኣነ ነዞም ርኹሳት ኣማልኽትኻ ኣይስውዕን” በለቶ። ስምኪ ምስ በላ፣ ስመይ ክርስቲያን እዩ ዝበሃል በለቶ።

እለእስክንድሮስ “እዝስ ጌጋ እዩ፣ ዝጠቕመኪ ኣይኮነን በላ። ከይትሞቲ ቀልጢፍኪ ሽምኪ ሃቢ” በላ። ቅድስት ኢየሉጣ “ናተይ ስም ክርስቲያን ከምዝኾነ ነጊረካ እንድነየ ” በለቶ። እቲ ሞት ዝስዕሮ ስመይ እንተኾይኑ “ኢየሉጣ” እዩ በለቶ። “ንሱ ብርቱዕ ስቓይ ከይወረደኺ እንከሎ ተንሚእኪ ንኣማልኽቲ መስዋዕቲ ኣቕርቢ” በላ። ንሳ ሓቂ ትፈቱ እንተኻነካ ዕድሚኡ ወዲ 3 (፫) ዓመት ዝኾነ ሕፃን ደልዮም ከምጽኡ ለኣኽ ናባኻ ከኣ ይምጻእ እሞ እነምልኾን እነገልግሎን ኣምላኽ ክነግረካ እዩ” በለቶ።

ሽዕኡ ነዚ ወዲ ፫ (3) ዓመት ሕፃን ክደልይዎ ወተሃደራት ለኣኽ። እቶም ደቂ እቲ ሃገር ኩሎም ደቀም ስለ ዝሓብኡ ሕፃናት ኣይረኸቡን። ሽዑ ናብ ወገን ምብራኞ ፀሐይ እንተኾዱ ንቅዱስ ቂርቆስ ረኸብዎ። “እዚ ሕፃንዚ ወዲ ክንደይ ዓመት እዩ ኢሎም ስሊኡ ሓተቱ። ወዲ ሠለስተ ዓ

መት ኰይኑ ወዲ ሓንቲ ክርስቲያናዊት መበለት እዩ” በልዎም።
“ነቲ ሕፃን ሒዞም ናብቲ ንጉሥ ኣምጽእዎ” እቲ ንጉሥ “ኣንታ ሕጉስ ቆልዓ ሰላምታ ይግብኣካ እዩ” በሎ። እቲ ሕፃን “ንዓይ ሕጉስ ምባልካ ጽቡቕ ተዛሪብካ ንሰኻ ግን ሐጕስ የብልካን” እግዚኣብሔር ንዝንጉዓት ሓጕስ የብሎምን ኢልዎም እዩ ኢሉ” መለሰሉ። ኤር ፴፰፥፳፪ (48፥22) እቲ ንጉሥ ነቲ ሕፃን “ከይሓተትኩኻ ክንድ'ዚ ዝኣክል ትምልሰለይ በሎ። እቲ ሕፃን “ጌና ካብዚ ዝበዝሀ ነገር ክምልሰልካ እየ” በሎ። እቲ መኰንን “ስምካ መን እዩ” ንገረኒ ” በሎ “ካብ ንጹሕ ኣዘቕቲ ካብቲ ዘይልወጥን ዘይጠፍእን ዝተረክበ ሽመይ ክርስቲያን እዩ ዝበሃል” ኢሉ መለሰሉ። እቲ ንጉሥ ካልኣይ ከይትመውት ስምካ ብቕልጡፍ ንገረኒ።” በሎ። ቅዱስ ቂርቆስ “ስመይ ክርስቲያን ከም ዝበሃል ነጊረካ፣ ካልኣይ ሞኽሰይ ስም ክነግረካ እንተኾይነ ቂርቆስ እዩ” በሎ። እቲ መኰንን “ሕራይ ኢልካ ንኣማልኽቲ መስዋዕቲ ኣቕርብ ምስ ዓቢኻ ከኣ ክሸመካ እየ። ብብዙሕ ወርቅን ብሩርን ከኣ ክኽብረካ እየ” በሎ። እቲ ሕፃን “ኣንታ ናይ ሰይጣን ልኡኽ ጸላኢ ሓቂ ዝኾንካ ካባይ ርሓቕ” በሎ። ንሱ ሰሚዑ ተቈጥዐ (ሐረቐ) ደሙ ከም ማይ ክሳብ ዝፈስስ 100 (፻) ኩርማጅ ክቐጽዕዎ ኣዘዘ። ቅድስት ኢየሉጣ ከኣ ጽንዓት ናይ ወዳ ርእያ ንፈጣሪኣ ኣመስገነቶ።
ድሕሪኡ እቲ መኰንን ጨውን ሰናፍጭን ኣምጺኦም ብኣፍንጫኦም ከእትዉሎም ኣዘዘ። ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ሕፃን *“ጥዑም ለጕርዔየ ነቢብከ እመኒ ወሰከር ጥእመኒ ለአፉየ”* “ትእዛዝካ ንጮሮረይ ጥዑም ኮነ ካብ መዓርን ሽኮርን ንኣፈይ መቀረኒ (ጠዓመኒ)” ኢሉ ጨደረ። እንደገና እቲ መኰንን ነዋሕቲ ዝተሳሕሉ ከም ጓህሪ ብሓዊ ዝረሰኑ 14 (፲፬) ናይ ሓጺን ሽንካራት ኣብ ናይ ኢየሉጣ ኣካላት 7(፯) ኣብቲ ሕፃን 7(፯) ክወግኡ ኣዘዘ። በዚ መሠረት'ዚ ከክልተ ኣብ ኣፎም፣ ከክልተ ኣብ ኣፍንጫኦም፣ ከክልተ ኣብ ኣዕይንቶም፣ ሓደ ሓደ ኣብ ኣፍ ልቦም ክወግእዎም ኣዘዘ። ይኹን እምበር ጐይታ ነቲ ውዑይ ሓጺን ናብ በረድ ቀየረሎም። ጥዑያት ከኣ ኾኑ፣ ንቂርቆስ ሰይጣውንቲ እውን ከስሕትዎ ኢሎም መጽኡ ብትዕምርተ መስቀል ምስ ኣማዕተበሎም ጠፍኡ።
እቲ መኰንን ሓሪቑ ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣእተዎም። እንደገና ናይ ስቓይ መሳርሒታት ዝሰርሕ ሰብ ኣምጽኡ። ሰይጣን ከምኡ ጌሩ እንተ ቕቲልዎም ሰማያዊ ኣኽሊል ከምዝደፍኡ ስለዝፈለጠ፣ ሰይጣን ነቲ መኰንን ኣፋ ኣጸዎ። ናይ ሰይጣን ተንኰል (ክፍኣት) ዝተረድኦ ቅዱስ ቂርቆስ ነቲ ሰራሒ ሓጺን ባዕሉ ኣጸዊው ክልተ በላሕቲ መላጸ፣ ስፍሓቱ 4 (፬) እመት ዝኾኑ ንዓይን ነደይን ሰራሕ። ካልኣይ ኣጨናቕን ርእሲ ዝሰብርን፣ ክሳድ ዝኣስርን ዝባላዕ ፋርኬታ ዓይኒ ዘውጽእ፣ ኣካል ዝመታትር፣ ኣፍንጫ ዝጥምዝዝን፣ ዝሰብርን እዝኒ ዝልሕጽ፣ ህዋሳት ዝፈላሊ ከም ልጓም ኮይኑ መልሓስ ዝቕራርጽ፣ ኣብ ውሽጢ ኣካላት ኣትዩ ዝንቀሳቐስ ቆላፍ ጉጤት፣ ንጐንታት ዝኸፋፍል ዝጠዋዊ ኣጨናቒ ዝኾነ፣ ጅማውቲ ዝቕራርጽ፣ ሰራውር መዚዙ ዘውጽእ ስራሕ በሎ።
እንደገና ብናይ ላም ምሳሌ ዓቢ መንበር ካብ ናሕሲ ስራሕ፣ 3 (፫) ነኪላት ኣብቲ መቕመጢኡ ኣውጽእ። ልክዕ ብናተይ ቁመት ሠለስተ ሽንካራት ስራሕ። ናይቲ ሽንካራት ርእሲ ከኣ ካብ ናሕሲ ግበር፣ ኣብ ማእከሉ “ ካብቶም ዝጽውዕዎ ዘይፍለ ፍሉይ ሠለስተ ሥላሴ ኢልካ ጸሓፍ።” ካልእ ጠምዚዙን ንላዕሊ ስሒቡን ዘውጽእ መሳርሒ 2 (፪) መጋዛት ካብ ሓጺን ሞቕሎ ስራሕ። ሕጂ'ውን ሓደ ዓቢ ገንኢ ሰራሕካ ኣብ ውሽጡ ክሳድ ዝጠማዝዝን ዝስንጥቕን ተሽከርካሪ መሳርሒ ግበር። ኣብ ማእከሉ ዝተኸወለ ናውቲ ከብዲ ዝምርምር ኢድ ብሓጺን ስራሕ፣ ኣነ ናይ ጻዕሪ ስቓይ ዝሳቐየሉ እዚ እዩ” በሎ።
እቲ ሰራሒ ሰሚዑ ብጣዕሚ ተደነቐ። 100 (፻) ሠራሕተኛታት ዝተሓጋገዝዎ ጌሩ ኣብ 40 (፵) መዓልቲ ሰሪሑ ፈጸመ። ድሕሪኡ እለእስክንድሮስ ኣፋ ተኸፈቱ፣ ንቅዱስ ቂርቆስን ቅድስት ኢየሉጣን ናብ ኣደባባይ ከምጽኡሉ ኣዚዙ ኀኽልቲኦም ርእሶም ምስ ቆርበቱ ላጽዮም ጓህሪ ክንስንሱሎም 4 (፬) ሽንካራት ከኣ ኣብ ሞንኩቦም ክሳብ ዓ ካር ዓካሪቶም ክተኽሉሎም ኣዘዘ። እዚ ኩሉ ተፈጸመ፣ ግን ብእግዚኣብሔር ዝተላእከ መልኣኽ ቅዱስ ገብርኤል መጺኡ

ነዚ ኩሉ ስቓይ ኣርሓቐሎም። እንደገና ካብ ንግሆ ክሳብ ምሸት ኣብቲ ናይ ስቓይ መሳርሒ ከሳቕይዎም ወዓሉ። ሓሙኽሽቲ ክሳብ ዝኾኑ ብጨውን ብቕብኣዊ ፈሳስን ኣብ ሞቕሎ ቀለውዎም። ሽዑኡ'ውን ጐይታ ካብ ሞት ኣተንሥኦም። ናብቲ መኰንን ከኣ ከዱ። እቲ መኰንን “ብሓቂ ካብ ሞት ተንሢእኩም እንተ ኾንኩም ነዚ ካብ ቆርበት ዝተሰርሐ ሳእነይ ናብ ብዕራይ እስኪ ቀይርዎ” በሎም።

ቅዱስ ቂርቆስ ጸልዩ እቲ ሳእኒ ዓቢ ብዕራይ፣ ኣብ ክሳዱ ከኣ ጤል ወጽኣ። ድሕሪኡ እቲ መኰንን ፲፬ (1000) ሰባት ኣኪቡ “እቲ ዓቢ ብዕራይ ክሳዱ ጤል ዝኾነ ተሓሪዱ ነዞም ኩሎም ኣኺልዎም በሊያም ምስ ጸገቡ ነገራቶም ኮሉ ሓቂ ከምዝኾነ ኣሚነ ኣሎኹ” በለ። ንግዚኡ ከምቲ ትእዛዝ ንጉሥ ተገይሩ ኮላቶም በሊያም ጸጊቦም ካብቲ ናይ ጤል ሥጋ 6 (፮) መኣዲ፣ ካብቲ ብዕራይ 4 (፬) መኣዲ፣ ተሪፉ ተላዕለ። እለ እስክንድሮስ ነቲ ዝተረፈ ሥጋ ርእዩ ናብ ባሕሪ ክስንድውዎ ኣዘዘ።

እለ እስክንድሮስ በቲ ሕፃን ዝገበሮ ሓፊሩ መልሓሱ እኳ እንተ ቐረጸ ጐይታ ከምታ ቀዳመይቲ ጽብቕቲ መልሓስ ተክኣሉ። ኣብ ሓደ ዓቢ 40 (፵) ገንኢ ዝሕዝ ዓቢ ገንኢ ንኽልቲኦም ኣብኡ ከእትውዎም ኣዘዘ። ቅንጭብ፣ ዘይቲ ዘለዎ ማይ 40 (፵) መዓልቲ ኣፍሊሑም ካብ ብዝሒ ፍልሓቱ 150 (፩፻፶) ሜትሮ ንላዕሊ ከም መብረቕ ሸኽሸኽ ዝብል ኮነ።

ቅድስት ኢየሉጣ ንግዚኡ ፈሪሃ ብናይ ወዳ ጸሎት ኣምላኻዊ ኃይሊ ተዋሂብዋ ናብቲ ገንኢ ኣተዉ። ምስኣተዉ እቲ ከም ናይ ክረምቲ ነጐዳ እናኣንጐድጐደ ን40 (፵) መዓልቲ ዝፈልሐ ማይ ከም ናይ ንግሆ ኣሳሒታ ዝሑል ኮነሎም።

ንቅዱስ ቂርቆስ እንደገና ኣብቲ ውሽጡ ብዘሎ መንኰራኩር ናይ ሓጺን ሞቕሎ ምስ ቀለውዎም መልኣኽ እግዚኣብሔር ቅዱስ ገብርኤል በሪሩ መጺኡ ኣውጽኦም።

## ቃልኪዳን

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ሰማይ ወሪዱ “ዝደለኻዮ ዘበለ ኩሉ ለምነኒ ክህበካ” በሎ። ቅዱስ ቂርቆስ “ሥጋይ ኣብ ምድሪ ኣይቀበር፣ ስመይ ንዝጽውዕ፣ መዘኸርታይ ንዝገብር፣ ቤተክርስቲያነይ ንዝሰርሕ፣ ናይ ገድለይ መጽሐፍ ዝጽሕፍን ዘጽሕፍን፣ ንዘንብብ፣ መባእ ዝህብ፣ ኣብ ውሽጢ ቤተክርስቲያነይ ዝጸለየ፣ ኃጢኣቱ ሕደገሉ (ግደፈሉ) ስመይ ኣብ ዝጽውዓሉ ቦታ ሕማም ከብቲ (ጉልሓይ) ኣይምጸእ፣ ኣብ ሰባት'ውን ዓባር፣ ደርቂ፣ ሕማም፣ ኣብ እኽሊ ዋሕዲ፣ ማይ ነቕጺ ኣይኹን በለ። ጐይታ “ ዝለመንካኒ ኩሉ ሂቡካ ኣሎኹ። ብየማነይ ክትነብር ኢኻ፣ ሥጋኻ ከኣ ኣብቲ ነቢይ ኤልያስ ዝዓረገሉ ሠረገላ ከቕምጦ እየ” በሎ። ቅዱስ ቂርቆስ ብጣዕሚ ተሐጉሱ ፈጣሪኡ ኣመስገነ። ድሕሪኡ ኣብታ ለይቲ እቲኣ ፍርቂ ለይቲ ክሳዱ ብሴፍ ተሰይፉ ብሰማዕትነት ዓሪፉ ዕለት ፲፭ ጥሪ ሰንበት ሰዓት 6(፮) ኣብ 3ይ ዓመቱ 1 (፩) ወርሕን 3(፫) መዓልትን 3(፫) ኣኽሊላት ወረደሉ(ተዋህቦ)። ከም ብዝሒ ዕድሚኡ 3(፫) ኣክሊላት ተዋህቦ።

1. ናይ ሕጻንነቱ፣
2. ናይ ገድሉ፣
3. ናይ ሃይማኖቱ ጽንዓት ኣብነታት እዮም።

ካብ ክሳዱ ደም፣ ማይ፣ ጸባ፣ ወጽኣ። ንጽባሒቱ ንግሆ ዕለት 16 (፲፮) ከኣ ኣዲኡ ቅድስት ኢየሉጣ ክሳዳ ተሰይፋ ሞተት። ንዕኣ እውን ጐይታ ምሉእ ቃልኪዳን ሃባ። ኣብ ሃገርና ኤርትራ ብስም ቅዱስ ቂርቆስ ዝተሓንጹ ብዙሓት ኣብያተ ክርስቲያናት ኣለዉ። ንኣብነት፡- ደብረ መንክራት ቅዱስ ቂርቆስ ኣስመራ፣ ሸኻ እያ'ሞ ቅዱስ ቂርቆስ ዞባ ደቡብ።

ናይ ሰማዕት ቅዱስ ቂርቆስን ኣዲኡ ቅድስት ኢየሉጣን በረኸቶም ይሕደረና። ኣሜን።

- እግዚኣብሔር ሚመ ረድኤቶ ለናእስናከ ዓ ቃቤ
- ወስምየ መጥበቤ
- ፍትወ ምግባር ቂርቆስ ወምዑዘ ገድል እምነ ከርቤ።
- ዘተጽዕረ በምንዳቤ ወዘሐመ በጥብጣቤ።

- ለአባልከ ሰላም እቤ።

***ምንጪ፡-***

- *ገድለ ቅዱስ ቂርቆስ*
- *ሰንክሳር ዕለት ፲፮ ጥር*
- *ነገረ ቅዱሳን ገጽ ፻፵*
- *ታሪኽ ቅዱሳን ገጽ –*

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ሰማዕት ቅዱስ አበ ኖብ (አባ ኖብ)

ንቅዱስ አበ ኖብ (አባ ኖብ) ወለዱ ቅዱሳን፣ ንጹሓን፣ ርኅሩኀን ምእመናን ነበሩ። ንወዶም አበ ኖብ ወዲ 12 (፲፪) ዓመት ምስ ኮነ ፈሪሓ እግዚአብሔር እናስተምሃሩ ስለዘዕ በይዎ ናይ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ቃልን ምሥጢርን ክመሃር ዝፈቱ ኮነ። አባ ዘመኑ ዲዮቅልጥያኖስ ዝተባህለ ከሓዲ ንጉሥ ነጊሡ ነበረ።

ንሱ ሰማዕትነት ክቕበል ይጽበ ነበረ። ሓደ መዓልቲ ናብ ቤተክርስቲያን ኣትዩ ትምህርቲ ክሰምዕ እንከሎ፡- ከምዚ ዝስዕብ እናበለ ሓደ ሰባኺ ከስተምህር ሰምየ፡ “ ሰብነትኩም ንሞት ኣሕሊፍኩም ምስ እትህቡ ንሓጥኣትኩም ጽቡቕ እዩ” ዝብል ትምህርቲ ነበረ። ቀልጢፉ ናብ ቤቱ ተመሊሱ ወለዱ ዝገደፉሉ ወርቅን ብሩርን ንድኻታት መጽዊቱ ወዲኡ ተላዒሉ ናብ ሃገረ ገምኑዲ ስምዕትና ክቕበል ተበገሰ። አባ መንገዲ አባ ጫፍ ባሕሪ ሉስዮስ ዝተባህለ መኰንን ረኺቡ ብመርከብ ክወስዶ ብስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ለመኖ። እቲ መኰንን ግን ኣሳቐዮ ድኣ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ መልኣኽ እግዚአብሔር ተገሊጹ ኣጸናንየ። እቲ መኰንን'ውን ናብ ሃገረ ሰሜን ክጓዓዝ እንከሎ ንቅዱስ አበ ኖብ ምስኡ ወሰዶ። አብቲ ናይ'ታ መርከብ ዓንዲ ቁልቁል ኣፉ ሰቐሎ። እቲ መኰንን ኀክበልዕን ክሰትን ኮፍ ምስበለ እቲ ዝሰትዮ መስተ ከም እምኒ ረግአ። እቶም ወተሃደራት ኮላቶም ዓይኖም ዓወሩ። ዝተላእከ መልኣኽ መጺኡ ንቅዱስ አበ ኖብ ካብ ዝተሰቐሎ መስቀል ኣውረዶ፣ ብኣፉን ብኣፍንጫኡን ንዝወረደ ደም ደረዘሉ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ እታ መርከቦም ብኃይሊ ንፋስ ተገፊዓ ከተማ አትሪብ በጽሑ፣ እቶም ወተሃደራት'ውን ቡቲ ዝረኣይዎ ተኣምር ተማሪኾም ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣመኑ። እቲ መኰንን ሓሪቑ ርእሶም ቆሪጹ ቀተሎም።

ንቅዱስ አበ ኖብ አብ ናይ ሓጺን ዓራት ኣደቂሶም አብ ትሕቲኡ ብርቱዕ ሓዊ ኣንደዱ። ንሱ ግን ብጸሎቱ ደሓነ። ኀኻልኣይ ግዜ ኣካላቱ ብመጋዝ ምስ ቆራረጽዎ መልኣኽ እግዚአብሔር መጺኡ ኣድሓኖ።

ድሕሪኡ ናብ ናይ እስክንድርያ ከተማ ወሰድዎ፣ ምትሃታውያንን መማረትን ኣትማን ሰደዱሉ። ክትንክፍዎ ግን ኣይተኻእሉምን። ካብቶም ኣትማን ሓደ ናብ ርእሲ እቲ መኰንን ስለ ዝተጠመጠመ ንቅዱስ አበ ኖብ ኀኽድሕኖ ኡይ እናበለ ለመኖ። ቅዱስ አበ ኖብ ነቲ ተመን ካብ ክሳዱ ከም ዝወርድ ገበረ። እቶም ጠንቆልቲ ግን ከድሕንዎ ኣይከኣሉን፣ እቲ መኰንን ምስቓዩ ምስ ሰልቸዎ፣ ክሳዱ ብሴፍ ክቐርጽዎ ኣዘዘ።

## ቃል-ኪዳን

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ወሪዱ ኣብቲ ሥጋኻ ዝዓርፈሉ ቦታ ዓቢ ፈውሲ ክኸውን እዩ፣ ከምኡ ውን ኣብ ግዜ ሽግሩ ስምካ ብምጽዋዕ ካባይ ረድኤት ዝለመነ ኩሉ ድሕነት ክገብረሉ እየ፣ ዝክርካ ዝገበረ፣ ንጥሙይ ዘብልዐ፣ ጽሙእ ዘስተየ፣ ሞባእ ዝሃበ፣ መጽሓፍካ ዘጽሓፈን፣ ዝጸሓፈን ኃጢኣቱ ይቕረ ኢለ መንግሥተ ሰማያት ከውርሶ እየ ዝብል ዓቢ ቃልኪዳን ሂብዎ ንሰማይ ኣረገ።

## ዕረፍቱ

ቅዱስ አበ ኖብ ሐምሌ 24 (፳፬) ብሰማዕትነት ዓረፈ። ንሥግኡ ቅዱስ ዮልዮስ ምስ ክልተ ኣገልገልቱ ኣብ ደቡብ ግብጺ ንሒሳ ናብ ዝብሃል ሃገሩ ለኣኹ። ገድሉ ዝጸሓፈ'ውን ቅዱስ ዮልዮስ እዩ፣ ናይ ኣቦና አበ ኖብ በረኽት ምስኮላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን። ኣሜን።

- ሰላም ለአበኖብ እንተሠረፀ እምከርሣ፣
- ለታሕተ ምድር ንሒሳ
- መኰንን ዕልው ጽጉበ ኃጢኣት ወአበሳ፣
- እንዘ ያውዒ ሥጋሁ ብፍልሐተ ተይ ወርሳ፣

- እምፍቅረ ክርስቶስ ኢክሕለ ለነፍሱ ያግሕሣ።

✠ ✠ ✠

## ሰማዕት ቅዱስ ጊጋር

ቅዱስ ጊጋር ሃገሩ ደቡባዊ ሶርያ ኮይኑ ናይ ሶርያ መስፍን እዩ ነይሩ። እዚ ቅዱስ ሰማዕት'ዚ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ቅድስት ድንግል ማርያም፣ ዮሴፍ፣ ሰሎሜ ኣብ ግዜ ስደቶም ሸፋቱ ስለዘርከብዎም ቅዱስ ጊጋር ንዕኣቶም ኣብ ቤቱ ኣእትዩ ኣሕዲሩ ካብ ኢድ እቶም ሸፋቱ ኣድሓኖም። ወተሃደራቱ ልኢኹ መንገዲ ሓቢሩ ኣብ ዝደልይዎ ቦታ ኣብጽሖም። ነዚ ነገር'ዚ ዝሰምዐ ንጉሥ ሄሮድስ ንቅዱስ ጊጋር ልኢኹ ኣምጺኡ ብሓጺን ን40 (፵) መዓልቲ ኣሲሩ ከሳቐዮ ድሕሪ ምጽናሕ ክሳዱ ብሴፍ ኣቕሪጹ ኣካላቱ ኣብ 3 (፫) ቦታ በቲኑ ቀተሎ።

ጐይታ ተገሊጹ ንቅዱስ ጊጋር ኣብ ግዜ ሞቱ ሠለስተ ኣኽሊል ኣውረደሉ። እዚ ሰማዕት እዚ ካብቶም ቀዳሞት ሰማዕታት ሓደ እዩ። ካብ ቅዱስ እስጢፋኖስ ንሱ ይቕድም። ኣሜኒ፣ ጋሻ ተቐባሊ፣ ንድኻታት ዝፈቱ ዝነበረ ዓቢ ሰማዕት እዩ። ዕረፍቱ ነሐሴ ዕለት 16 (፲፮) ካብቶም 7 (፯) ሰማዕት ቁጽሪ መበል ሸዱሸተ 6 (፮) እዩ።

## ቃልኪዳን

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ ምሉእ ቃልኪዳን ከምዝሃቦ መጽሐፈ ስንክሳር ተመልከት።

ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኮልና ሕዝበ ክርስቲያንይኹን ኣሜን።

- ሰላም ለከ መስፍነ ሶርያ ጊጋር
- እንተ ኣምተረከ ሄሮድስ ለጎበ ብዙኅ ምታር
- እስከ ተካየደከ እግዚኣብሔር
- ከመ ያድኅን ብእሴ በዕለተ ምንዳቤ ወጻዕር
- ተዝካረ ዚኣከ ዘገብረ በምድር

✠ ✠ ✠

## ሰማዕት ቅዱስ አቢብ ዘተሰምየ ቡላ

ቅዱስ አቢብ ኣቡኡ ኣብርሃም ኣዲኡ ሃሪክ ይብሃሉ። ጥቅምቲ ዕለት 25 (፳፭) ተወልደ፣ ዕለት 25 (፳፭) ጥቅምቲ ከኣ ኣዕረፈ። ቅዱሳን በዓላቶም ዝውለዱሉን ተኣምራት ዝፍጽሙሉን ሓደ ክሽውን እንከሎ ናይዚ ጻድቕ'ዚ ታሪኽ ከኣ ኣብ መጽሐፈ ስንክሳር ብሰፊሑ ተገሊጹ ኣሎ።

ኣባ ቡላ ኣቦ ብዙሓት ኢሉ እግዚኣብሔር ባዕሉ አቢብ ኢሉ ዝጸውዖ ምኹኑ ኣብ ላዕሊ ታሪኹ ከምዝተገልጸ፣ ዕለተ ልደቱን ዕረፍቱን ብ25 (፳፭) ጥቅምቲ እዩ ሃገሩ ሮሜ ከባቢ ሉፊ ዝበሃል እዩ።

ወለዱ ዝነበሩሉ ብግዜ፣ መክስምያኖስ ንጉሥ ኮይኑ ዓቢ ስደት ስለዝነበረ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ይሃድሙ ነበሩ። ኣብ ርእሲ'ዚ ውላድ ስለዘይነበሮም እግዚኣብሔር ውላድ ንኽህቦም ብጾምን ጸሎትን ይልምንዎ ነበሩ። እግዚኣብሔር ድማ ጸሎቶም ሰሚዑ ብሕልሚ መልኣኹ ልኢኹ ምሉእ ዘለላ ወይኒ ይህቦም።

እዚ ቅዱስ ውላድ'ዚ ምስ ተፀንሰ ኣብ ኣፍ ደጊኦም ዓቢይ ኦም በቐለ፣ ኣብቲ ቆጽሊ ገረብ ድማ ብቐንቂ እብራይስጥ ተጻሒፉ ተረኽበ። እቲ ጽሑፍ ከምዚ ይብል ነበረ። "ኣባ ቡላ ኣገልጋሊ እግዚኣብሔር ቅዱስ ንኣምላኽ ያዕቐብ ኣብ ውሽጢ ጽዮን ዝነብር"።

እዚ ቅዱስ ውላድ ምስ ተወልደ ወለዱ ጥምቀት ክርስትና ከይሃብዎ ሓደ ዓመት ገበረ፣ ድሕሪ'ዚ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ንኣልብሲትርዮስ ሊቀ ጳጳሳት ናይ ሮሜ ናብ ቤት ኣብርሃም ከይዱ ነዚ ቅዱስ ህፃን ብስም ኣባ ቡላ ጥምቀት ክርስትና ክህቦ ኣዘዞቶ። ወለዱ ድማ ቡላ ኢሉ ከጠምቕዎ ምስ ሰምዑ ኣዝዮም ተደነቑ። ምኽንያቱ ብመንፈስቅዱስ ድኣ እምበር ንሳቶም ሲ ኣይነገርዎን። ኣብዚ እዋን እዚ ቅዳሴ ክድምር ጸሎት ምስ ገበረ ጎብስተ ቀሩባንን ጽዋዓ ወይንን ካብ ሰማይ ወረደ ኀቡሎም ድማ ኣቐበሎም።

ድሕሪ ዓመት እዚ ቅዱስ ህፃን'ዚ " ኣሐዱ ኣብ ቅዱስ፣ ኣሐዱ ወልድ ቅዱስ፣ ኣሐዱ መንፈስ ቅዱስ" ኢሉ ኣመስጊኑ። ድሕሪ ነዊሕ መዋእል ወለዱ ብዕለት 17 (፲፯) ጎዳር ካብ'ዚ ዓለም'ዚ ተፈልዩ፣ ጸሎቶም በረኽቶምን ምስ ኮላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።

ህፃን ቡላ ወዲ 10 (፲) ዓመት ምስ ኮነ ከሐዲ ንጉሥ ንጣያት ስገዱ ዝብል ምስ ነገሠ ነዚ ሰሚዑ ኣባ ቡላ ናብቲ መኰንን ከይዱ ንዕኡን ንጣያቱን ጸረፎም። ነዚ ምስ ሰምዐ ወየ ከሐዲ መኰንን ንእሽቶይ ብምኻኑ ክሳብ ክንደይ ከምዚ ኢሉ ከይፈርሀ ደፊሩ ኣብ ቅድመይን ኣብ ቅድሚ ኣማልኽተይን ዝጻረፍ ኢሉ ኣዝዩ ገረሞ። እንተኾነ ግን ኣዝዩ ስለዝተኞጥዐ ብሐጺን ክሽንክርዎ፣ ሥግኡ ክጨድዎ፣ ቆርበቱ ክቑልጥዎ ኣእዳዉን ኣእጋሩን ብመጋዝ ክቖርጽዎ፣ ዝባኑ ክቑጽዕዎ፣ ናብ መንኰርኮር ከእትውዎ፣ ኣእትዮም ድማ ኣብ ማእከል ኮናትን ሰይፍን ጌሮም ኣብቲ ሃገር ከዝርዎ ኣዘዘ። እዚ ምስ ተፈጸመ ድማ ቅዱስ ሚካኤል መጺኡ ኣድሓኖ።

ድሕሪ'ዚ ዓወት እዚ'ውን ከም እንደገና ካልእ ዓላዊ መኰንን ምስ መጸ ናብኡ'ውን ከይፈርሐ ንዕኡን ኣማልክቱን ጸረፈ። እቲ መኰንን ተኞጢኡ ብዕለት 18 (፲፰) ሚያዝያ ርእሱ ብሰይፊ ቆረጸ።

ከም እንደገና'ውን ቅዱስ ሚካኤል ካብዚ ሞት'ዚ ኣተንሚኡ ሓድሽ ምዕራፍ ማለት እግዚኣብሔር ኣዚዝካ እዩ ኢሉ ልብሲ ምንኵስና ኣልቢሱ ቆብዕ (ኣስኬማ) ብምልክት መስቀል ሂቡ ተሳታፌ ናይ ቅዱሳን'ውን ክትከውን ኢኻ ኢሉ ናብ ገዳም ወሰዶ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣቡነ ኣቢብ ኣብ ገረብ ተሰቒሉ ጠልጠል እናበለ ዓቢ ገድሊ እናፈጸመ ሕማምን ስቓይን ናይ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ክዝክር ከሎ ድማ ካብቲ ገረብ ኩሉ ግዜ ይወድቕ ነበረ። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ካብቲ ገረብ ምስ ጸደፈ ሰይጣን ኣዝዩ ስለዝቐንኣ ንግዚኡ ቀተሎ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ድማ ንግዚኡ ከም ቅጽበት ዓይኒ መጺኡ ካብቲ ሞት ኣተንሥኦ። ከምዚ ድማ በሎ ስምካ ኣባ ቡላ ጥራይ ኣይኮነን ኣቦ ብዙሓት ክትከውን ስለዝኾንካ ኣቢብ ኢለካ ኣሎኹ ኢሉ ጐይታ ባዕሉ ሸም ኣውጽኣሉ።

ኣባ ቡላ ነዚ ሓድሽ ስም ማለት ኣቢብ ዝብል ምስ ተቐበለ ካብ ታጎንሥ ዝተላዕለ፣ ገጹ ይጸፍዕ፣ ኣካላቱ ይቆራርጽ ዝባኑ 200 (፪፻) ግዜ ይቑጽዕ ነበረ። በዚ ስራሕ'ዚ ሠለስተ ግዜ ሞይቱ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ድማ ኣተንሥኦ።

ባዕሉ ጐይታና'ውን ካብ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ብድንግልና ምውላዱ ብኣይሁድ ከመይ ኢሉ ከምዝተታሕዘ ሕማሙን ስቅለቱን ምስ ኣርኣዮ ከይበልዔን ከይሰተየን 42 (፵፪) መዓልቲ ገበረ። ብጐድኑ ከይደቀሰ ድማ 67 (፷፯) ዓመት ገበረ፣ ከምኡ'ውን 12 (፲፪) ዓመትን 7(፯ተ) ወርኅን ክሳብ ሓንጐሉ ዝፈስስ ቁልቁል ኣፉ ተደፊኡ ይነብር ነበረ። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ስቓይ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ተዘክሮ፣ ሰይፊ ተኺሉ ኣብ ቅድሚኡ ኣቑሙ ኣብ ርእሲኡ ወደቐ እሞ ሞተ። ድሕሪኡ'ውን ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ምስ መላእኽቲ መጺኣ ነቲ በድኑ ሰላም ለከ ኦ ፍቁረይ በለቶ እሞ እቲ በድኒ ድማ ከም ቃል ሰብ ሰላምታ ንዓኺ ኦ ንግሥቲ ኩሉ ዓለም ክብል ተዛረበ። ድሕሪኡ በእዳዋ ምስ ተንከየቶ ንግዚኡ ካብ ሞት ተንሥኣ።

## ቃል-ኪዳን

ግዜ ዕረፍቱ ምስ ቀረበ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ኣእዳዉ ኣክሊላት ብዕንቐኑ ዝተሰርሐ፣ ፍሉይ ናይ ብርሃን ኣልባሳት ሒዙ ተራእዮ፣ ከምዚ ድማ በሎ ኣንታ ፍቁር ወደይ ኣቢብ ንዓ ከሕጉሰካ እየ፣ ኣብቲ ናይ ዘለዓለም ዘይውዳእ ሐጐስ እናበለ ብርእሰይ ምሒለልካ ኣሎኹ፣ ኩሉ ስምካ ዝጽውዕ ኃጢኣቱ ክግድፈሉ፣ ኩሉ ተዝካርካ ዝገብር ወይ ንድኻ ዝረድእ ወይ ንዕሩቕ ክዳን ዝምጽውት፣ ወይ ንጥሙይ ዘብልዕ ወይ ንጽሙእ ዘስቲ ወይ ቤተክርስቲያንካ ዝሓንጽ ወይ ገድልካ ዝጽሕፍ ወይ ዘንብቦ ወይ ዝሰምየ ኣነ ክሳብ 10 (፲) ወለዶ ኃጢኣቱ ክሰርየሉ እየ ኢሉ ኣፉ ስዒሙ ብእንግድዑኡ ድማ ጸሮ ናብ ኣየር ኣዕረጎ፣ ነፍሱ ምስጋና መላእኽቲ ምስ ስምዔት ካብ ሥጋኣ ተፈልየት ናብ ሰማያዊት ኢየሩሳሌም ድማ ኣተወት።

***ጸሎቱን በረኸቱን ናይ ኣቦና ኣቡነ ኣቢብ ምስ ኵላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።***

- ተዘከረኪ ክርስቶስ ስቃያተ ኣቢብ ብዙኃ
- ወርህጸተ ነፍሱ ፍሉሐ

- ኢታጽንዕ ብየ ልበከ ርኅሩኃ
- እስከ እትመየጥ መንገሌከ ጽንሐኒ ጸኒሐ
- እስመ እምድረ ሞቱ ለሰብእ ኣልቦቱ ንሥሐ።

ምንጪ፡-

1. ስንክሳር ጥቅምቲ ዕለት ፳፭
2. ነገረ ቅዱሳን ገጽ ፻፯ ኅታም ፲፱፻፺፰ ዓ.ም.ግ. አ.አ.ኢ.

## ታሪኽ ሰማዕት ቅዱስ ፊቅጦር

ፊቅጦር ማለት ዘይጥርጠር ማለት እዩ። እዚ ሰማዕት'ዚ ዕለት 4 (፬) ሚያዝያ ተወልደ። ናይ'ዚ ቅዱስ ኣቦ ጎርማኖስ ይብሃል። ንሱ ከኣ ናይ ዲዮቅልጥያኖስ ኣማኻርን ሓለቓ ሠራዊቱን እዩ። ናይ ኣዲኡ ስም ማርታ ይብሃል ኣብ ክርስትና ዝጸንዓት ብዕዕት ኣደ እያ ዝነበረት። ቅዱስ ፊቅጦር ምስ ጐበዘ ኣቡኡ ኀኽሽየም ናብ ንጉሥ ኣቕረቦ። እቲ ንጉሥ'ውን ኣብ ውሽጢ መንግሥቱ መበል ሳልሳይ ጌሩ ሸሞ። ዕድሚኡ ወዲ 20 (፳) ዓመት ነበረ። ንሱ ግን ንዓለም ንዒቹ ብጾም፣ ብጸሎት፣ ተወሰነ። ክርስቲያን ብምኻኖም ንዝተኣሰሩ ክርስቲያን ይበጽሖም ነበረ። ንድኻታትን መሳኪንን ይምጽውት ነበረ።

ንኣደ በዓል ቅዱስ ቆዝሞስን ቅዱስ ድምያኖስን ቅድስት ቴዎዳዳ ምስ ሞተት፣ ካብ ፍርሒ ዝተላዕለ ማንም ሰብ ክቕብራ ኣይደፈረን። ቅዱስ ፊቅጦር ግን ከይፈርሀ ቀበራ። ነቡኡ'ውን ካብቲ ዝነበሮ ኣምልኮ ጣዖት ኀኽምለስ ዘወትር ይመኽሮ ነበረ። ኣቡኡ ሀርማኖስ ስለዚ ናብ ንጉሥ ዲዮቅልጥኖስ ከሰሶ። ተኸሲሱ ምስ ቀረበ "ንንጉሠይ ንኢየሱስ ክርስቶስ ድኣ እምበር ንዲዮቅልጥያኖስ ኣይግዛእን እየ" በለ። ኣቡኡ ጎርማኖስ ፊቅጦር ወዱ ናብ እስክንድርያ ከይዱ ብመኰንን ጎርሜኔዎስ ክቕጻዕ ንዲዮቅልጥያኖስ ኣማኸሮ። ከምኡ'ውን ፋሲለደስ፣ ቴዎድሮስ፣ በናድሌዎስ፣ ቴዎድሮስ ምስራቃዊ፣ ኣውሳብዮስ፣ መቃርዮስ እዞም ኩሎም ደቂ ነገሥታት ብሓደ ነይሮም ኣብ ሓደ ግዜ ከኣ ተሰውኡ። ነዚ ናይ ወዳ መከራ ዝሰምዐት ኣዲኡ ቅድስት ማርታ ንብዓታ ከም ውሕጅ ኣፍሰሰት። ከምዚ ኢሉ ከኣ ተላበዋ፣ ብገንዘባ ንደቂ ምውታት፣ ዘኽታማት፣ ድኻታት ክትረድእን ክትሕግዝን ከምዘለዋ መኺሩ ኣፋነዋ።

ንቅዱስ ፊቅጦር ከም ፈረስ ኣፉ ለጉሞም ናብ እስክንድርያ ወሰድዎ። ብዝተፈላለየ ስቓያት ከኣ ኣሳቐይዎ። መልኣኽ እግዚኣብሔር ናብ ሰማይ ወሲዱ ስለ ክብርታቶም ናይ ብርሃን ማኅበራት ኣርእዩ ናብቲ ዝነበሮ መለሶ። እቲ መኰንን ግን ካብ ምስቓዩ ኣይዓረፈን። ማለት ዝፍትን ዲንን ኣብ ሓዊ እናፍልሑ ኣሳቐይዎ። ኣብ ዓራት ሓጺን ኣደቂሶም ኣብ ትሕቲኡ ሓዊ ኣንደዱ። መቃጸሊ ውሽጢ እውን ወሰኽሉ። ጐይታ ከኣ መጺኡ የጸናንየ ነበረ። ካብ ስቓይ እውን የዐግሶ ነበረ፣ መልኣኹ ልኢኹ ከኣ ቁስሉ ይፍውሶ ነበረ።

ጎርማኔዎስ ከኣ ናብ ኩተማ እንዴናው ሰደዶ። ኣብዚ ከኣ መልሓሱ ቆሪጾም ዓይኑ ኣውጺኦም፣ ኣንቆርዎ፣ ጐድኑ ከኣ ሽንካር ኣርሲኖም ኣሳቐይዎ። ኣብዚ ብጥሜት ምእንቲ ክመውት ኣብ ሓደ በረኻ ዝርከብ ቤት ውሽጢ ኣሰርዎ። ንሱ ግን ዕንጨይቲ ጸሪቡ ንምግቡ፣ ዝተረፈ ከኣ ንድኻታት ይምጽውት ነበረ። ብብዙሕ ምሕባል ካብ ዕላምኡ ከስሕትዎ ስለዘይከኣሉ ጅማውቱ እናመዘዙ፣ ኣፉ እናወቕዑ፣ ቁልቁል ኣፉ ሰቒሎም ኣብ ኣእዳዉ ከቢድ እምኒ ኣንጠልጠሉ፣ ካብቲ ዝነድድ ሓዊ እውን ወሰኹ ዕንዲዳን፣ መዓርን፣ ዘይትን ኣፍሊሑም ኣብ ልዕሊኡ ደፍኡሉ። ኣፉ ብሓሞትን ዕረን ኣምረሩ። ኣእይንቱ'ውን ኣውጽእዎ፣ ድጊሞም ቁልቁል ሰቒልዎ፣ ጐይታ ጅማውቱን ሕዋሳቱን ኣብ ቦትኡም መሊሱ ኣድሓኖ።

ሓንቲ ጓል 15 (፲፭) ዓመት ብመስከት ኮይና ቅዱሳን መላእኽቲ ንቅዱስ ፊቅጦር ኣኽሊላት ኣብ ርእሱ ከንብሩሉ ርእያ ብምምስካራ ብዙሓት ናብ እምነት ተመሊሶም ብሰማዕ ትነት ዓረፉ። ንሳ'ውን ብሰይፊ ተሰይፋ ጓል መንግሥቲ ሰማያት ኮነት።

ብድሕሪ'ዚ ኩሉ ክብርቲ ክሳዱ ብሰይፊ ተሰይፉ፣ ናይ ሕይወትን ዓወትን ኣኽሊል ብዕለት 27 (፳፯) ሚያዝያ ተቐበለ።

ዝፈትውዎ ምእመናን ሥግኡ ወሲዶም ብክቡራት ኣልባሳት ገኒዞም ኣዲኡ ማርታ ካብ ኣንጾኪያ ክሳብ እትመጽእ ኣብ ጽሩይ ቦታ ኣቐመጥዎ። ምስ መጽአት ወሲዳ ቤተክርስቲያን ብስሙ ሓኒጻ ኣብ ውሽጢ ኣቐመጠቶ።

እዚ ቅዱስ ሰማዕት'ዚ ብዛዕባ ሻሙናይ ሽሕ ዝምልከት ብዙሕ ዝጸሓፈ ኣቦ እዩ፣ ሓደ ዓቢ መጽሐፈ ታሪኽ ዝጸሓፎ ኣሎ። ንሱ ከኣ ኣብ 8ይ ሽሕ ስለ ግብጺ፣ ከምኡ'ውን ስለ ሮማ ዝፍጸም ዝበለ ኩሉ ራዕይ ዝረኣየ ዓቢ ኣቦ ክኸውን እንከሎ፣ ስም ናይቲ መጽሐፍ ከኣ ስለ ሃይማኖት ቅዱስ ፊቅጦር ዝረኣዮ እዩ ተባሂሉ ይጽዋዕ።

እዚ መጽሐፍ'ዚ ኣብ ጐጃምን፣ ኣብ ደብረ ጽሙናን ይርከብ። ዓቢ መጽሐፍ ኮይኑ ዘመነ ሰማዕታት ኣብ ዘመነ ድዮቅልጥያኖስ ዝፍጸም ዝነበረ ብሰፊሑ ዝገልጽ እዩ።

ሓደ ከም ኣሞራ ዝነፍር ፈረስ ነበሮ፣ ብዝላ ባሕሪ ዝሳገር ነበረ፣ ፊቅጦር፣ ኣውሳብዮስ ቴዎድሮስ፣ ፋሲለደስ ካብ ሓደ ዓሌት ዝውለዱ ቤተ ዘመድ እዮም።

ኣምላኽ ቅዱስ ፊቅጦር ንሃገርናን ሕዝብናን ብሰላም ይሓልወልና ኣሜን።

- ሰላም ለፊቅጦር ተኣምራቲሁ ዘኣርኣየ።
- ድጎረ በሰይፍ ተወቅየ።
- ልብሱ ዘወርቅ እመ ተሃድገ በዝየ።
- ያሠርጉ ጣየታቲሁ እመ ልበ ንጉሥ ሐለየ።
- ጎበ ህላዌሁ ዘትካት ተመስጠ ሰማየ

***ምንጪ፦ ነገረ ቅዱሳን ገጽ ፹፪***

***- ሰንክሳር ፭፯ ሚያዝያ***

***- ታሪኽ ቅዱሳን ገጽ ፻፹፰ ዓ.ም.ግ. ኣ.ኣ.ኢ.***

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ሰማዕት ቅዱስ ገላውዴዎስ

ገላውዴዎስ ማለት ዕንቁ ጻዝዮን ፍትወ ስን ይብሎ

ነዚ ቅዱስ ኣቦ'ዚ ስም ኣቡኡ ኣብጥልዎስ ዝተባህለ ኮይኑ ታጎግሥ ዕለት 11(፲፩) ተወልደ። ካብቶም 7 (፯) ከዋክብቲ ብርሃን ሰማዕታት ሓደ ንሱ እዩ። ናይ ንጉሥ ኑማርያኖስ ሮማዊ ንእሽቶይ ሓዉ እዩ። መልክዑ ከም ዮሴፍ ብጣዕሚ ጽቡቕ እዩ ነይሩ፣ ናይ ኣንጾኪያ ተወላዲ ኩይኑ ኣብ ኮናት ኣዝዩ ብርቱዕ ነበረ። ብፍቕሪ ናቲ ዝኣክል ንጸላእቶም ኣሰነፍዎም። ናቲ ሥእሊ ኣዝዮም ስለዝፈትውዎ ሥኢሎም ኣብ ኣፍ ደገ መእተዊ ኩተማ ይዝርግሕዎ ነበሩ፣ ማለት ሰብ ምእንቲ ክርእዮ።

ቅዱስ ገላውዴዎስ ዘወትር ናይ ቤተክርስቲያን መጻሕፍቲ ምንባብ ይፈቱ እዩ። ናይ ሮማ ንጉሥ ኑማርያኖስ ወሪኡ ስለዝሰምዐ ናብ ኣቡኡ ልኢኹ ኣምጽኡ። ክመጽእ እንከሎ ምስ ሠራዊቱ ብዓ- ባ ተቐበሎ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ምስ ሰብ ቁዝን ኣርማንያን ዓቢ ጸብኢ ተላዕለ ቅዱስ ገላውዴዎስ ብስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ተኣሚኑ ኣሸነፎም። ጣየቶም ሰቢሩ ንንጉሦም ማሪኹ ሒዝዎ ናብ ኣንጾኪያ ተመልሰ። ይኹን ድኣእምበር ዲዮቅልጥያኖስ ጣየት ኣቕሙ ክሒዱ ስለ ዝጸንሐ ንሱ ከኣ ኣማኒ ኢየሱስ ክርስቶስ ብምኻኑ ኣዝዩ ሓዘነ። ድሕሪኡ ምስ ፊቅጦር ወዲ ጎርማኖስ መንፈሳዊ ዓርኩ ኮይኑ ኣንጻር ዲዮቅልጥያኖስ ብሃይማኖቶም መስኪሮም ክሞቱ ተሰማምዑ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ሰይጣን ብኣምሳል ሽማግለ ሰብኣይ ተመሲሉ ተራእዮም። ዝሓለየሎም መሲሉ “እዞም ደቀይ ጽቡቓት መንእሰያት ኢኹም፣ ደቂ ነገሥታት ኢኹም፣ ኣነ ብኣኻትኩም እፈርህ ኣሎኹ። ከይቀትለኩም እንተ ኣዚዝኩም ስቕ ኢልኩም ንጣየቱ ክትዓጥኑ ኣማኽረኩም ኣሎኹ፣ እንተ ኣዚዝኩም ካብ ትእዛዙ ኣይትውጽኡ። ንሰኻትኩም ንክርስቶስ ብግልኹም ኣብ ገዛኹም ኣምልኹ፣ እዚ ንጉሥ'ዚ ኃያልን ርኁራኄ ዘይብሉን ጨካንን እዩ” በሎም። ነዚ ኮሉ ናይ ሰይጣን ተንኮል ጐይታ ቀልጢፉ ስለ ዝገለጸሎም “ኮሉ ክፍኣት ዘበለ ዝተመላእካ ናይ ሓሶት ምንጪ፣ ካባና ረሓቕ ንሰኻ ኩሉ ግዜ ሕጊ እግዚኣብሔር ክትቃወም ኣኻ እትነብር” በልዎ።

ሽዕኡ መልክዑ ተለዊጡ ገጹ ጸሊም ኮነ። ደሞም ንምፍሳስ ፈኪሩሎም ከደ፣ ናብ ዲዮቅልጥያኖስ ከይዱ “ንፊቅጦርን ገላውዴዎስን እንተ ዘይቀቲልካዮም ክቕድሙኻ እዮም። ንዓኻ

ቀቲሎም መንግሥትኻ ክወርሱ እዮም፡ ምክንያቱ ንሳቶም ደቂ ነገሥታት እዮም” በሎ።
ዲዮቅልጥያኖስ ንቅዱስ ገላውዴዎስ ልኢኹ ንጣያት መስዋዕቲ ከቕርብ ለመኖ። ነታ ናይ ኣቡኡ ሽመት ኽህቦ ቃል ኣተወሉ። ቅዱስ ገላውዴዎስ ግን ከይፈርሀ ብድፍረት ነቲ ንጉሥን ነቶም ሮኹሳት ኣማልኽቱን ረገሞም። ጎርማኖስ ከኣ ንወዱ ፊቅጦር የሕሊፉ ከምዝሃቦ ቅዱስ ገላውዴዎስ እውን ናብ ግብጺ ተላኢኹ ኽክቕተል ንንጉሥ ከም ቀደሙ ኣማኸሮ። እቲ ንጉሥ እውን ናብ ናይ እንዴናው ገዛኢ፡ ገላውዴዎስ ናታትና ትእዛዝ ኣይተቐበለን፡ ንቓላትና'ውን ኣይሰምዖን። ንሸኻ ናብቲ ናትና ትእዛዝ ዝምለስ እንተኾይኑ ብብዙሕ ጻዕሪ ኣታልሎ፡ እንተዘይኮይኑ ክሳዱ ብሰይፊ ቁረጾ ኢሉ ጸሓፈ።
ቅዱስ ገላውዴዎስ ንሰብኣይ ኃፍቱ ሲድራኮስ ኣብ እምነቱ ጸኒዑ ክነብርን ንወገናቱ'ውን ክጸናንዖምን ሓደራ ኢሉ ተሰናበተ። ሃገር እንዴናው ምስ በጽሐ ገዛኢ ኣርያኖስ ርእይ ምስ ኣበሎ ደንገጸ። ተንሚኡ እውን ኢዱ እናሰዓመ *“ጐይታይ ገላውዴዎስ”* ከምዚ ዝበለ ስራሕ ኣይትስራሕ ንትእዛዛቱ ከኣ ኣይትእበ፡ እናበለ ለመኖ።
ቅዱስ ገላውዴዎስ ግን “ንጉሥ ኣብ ልዕሌይ ክትገብሮ ዝኣዘዝካ ክትፍጽም እምበር ከተስሕተኒ ኣይተላኣኽኩን” በሎ። እቲ መኰንን ክሳብ ዝቁጣዕ ንሓድሕዶም ከምዚ እናበሉ ይማላለሱ ነበሩ። እቲ ኣርያኖስ መኰንን ከኣ ኣብ ኢዱ ኮናት ሒዙ ነበረ። ንቅዱስ ገላውዴዎስ ወርዊሩ ወግዖ። ነፍሱ ናብ ፈጣሪኡ ኣሕሊፉ ሃበ። ናይ ምስክርነቱ ኣኽሊል ተቐበለ። ዕረፍቱ ከኣ ዕለት 11 (፲፩) ሰኔ እዩ። ምስ ሞተ ኣመንቲ መጺኦም ንሥግኡ ወሲዶም ብጽቡቕ ኣገናንዛ ገኒዞም ምስ ናይ ቅዱስ ፊቅጦር ዓርኩ ኣብ ሳጹን ውሽጢ ኣቐመጥዎ። ዘመነ ስደት ክሳብ ዝሐልፍ ይሕልውዎ ነበሩ።
ድሕሪኡ ኣደ ቅዱስ ፊቅጦር ናብ ሃገረ እንዴናው መጺኣ፡ ናይ ቅዱስ ገላውዴዎስን ፊቅጦርን ሥጋ ወሲዳ ናብ ኣንጾኪያ ኣብጽሓቶ።
ናይ ቅዱስ ገላውዴዎስ ሥጋ ኣብ ኣስዩጥ እዩ ዘሎ ዝብል ሓሳባት ውን ኣሎ።
በረኸት ኣምላኹ ንቅዱስ ገላውዴዎስ ንሃገርና ኤርትራ ይሓልዋ። አሜን።

- ሰላም ለገላውዴዎስ ሃይማኖተ ክርስቶስ ተዓ ሪዞ።
- አልባሰ መንግሥት ዘኢሓወዞ።
- ለመኰንን ዓላዊ እንዘ ይትገአዞ።
- እም ይሰማዕ ቃሎ ወእምይሠጠው ትእዛዞ።
- በኮናተ እዱ በሊሕ አብደረ ተረግዞ።

*ምንጪ፦*

- *ሰንክሳር ዕለት ፲፩ ሰኔ*
- *ነገረ ቅዱሳን ገጽ ፹፪ ብ ፲፱፻፺፰ ዓ.ም.ግ. ኤ.ኤ.ኢ.*
- *ታሪኽ ቅዱሳን ገጽ —*

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ሰማዕት ቅዱስ ቴዎድሮስ

ቅዱስ ቴዎድሮስ ስም ኣቡኡ ዮሓንስ ይብሃል። ኣብ ላዕላይ ግብጺ ሰጥብ ኣብ ዝተባህለት ዓዲ ብዕለት ---------- ተወልደ። ኣቡኡ ምስ ሠራዊቱ ናብ ከተማ ኣንጾኪያ ወሲድዎ ኣብኡ ከኣ ይነብር ነበረ። ካብ ደቂ መኳንንቲ ሓንቲ ተመርዓወ ንሳ ኣምላኺት ጣዖት ነበረት። ሰብኣያ ዮሓንስ እንታይ ከም ዘምልኽ ኣይትፈልጥን ነበረት።
ቅዱስ ቴዎድሮስ ምስ ተወልደ ኣዲኡ ናብቲ ጣዖት ኣቕሪባ ኣምልኾታ ከተስተምህሮ ደለየት። ኣቡኡ ግን ከልኣ። በዚ ተቈጢዓ ንሰብኣያ ዮሓንስ ፈትሐቶ። እቲ ሕፃን ግን ምስ ኣዲኡ ተረፈ። ዮሓንስ ኣቡኡ ምእንቲ ወዱ ንእግዚኣብሔር ይልምኖ ነበረ።
ቅዱስ ቴዎድሮስ ምስ ዓበየ ጐይታ ብሩህ ልቢ ስለዝዓደሎ ጥበበኛ ኮነ። ናብ ኣውላኪስ ዝተባህለ ኤጲስ ቆጶስ ከይዱ ብእኡ ተጠመቐ፡ በዚ ምክንያት ኣዲኡ ሓዘነት።
ቴዎድሮስ ናይ ኣቡኡ ናብራ ሕይወት ብስውር ምስቶም ኣገልገልቱ ይፈልጥ ነበረ፡ ምስ ዓበየ ሓለቓ ሠራዊቱ ኮይኑ ተሸመ። ንሃገር ፋርስ ዘሚቱ ንወዲ ንጉሥ ፋርስ ማረኾ። ነቶም ሠራዊት ከኣ ሰጐንም፡ ምስራቃዊ ቴዎድሮስ ከኣ ምስኡ ነበረ።

ድሕሪ ሒደት ኣዋርጎ ናይ ፋርስን ናይ በርበርን ሰባት ኣብ ልዕሊ ሮማውያን ተላዒሎም ብዙሓት ከተማታት ኣጥፍኡ። ዲዮቅልጥያኖስ ብጣዕሚ ፈርሀ። “ ንቅዱስ ቴዎድሮስ ጸዊዑ እንታይ ንግበር” ኢሉ ኣማኸሮ።
ቅዱስ ቴዎድሮስ ከምዚ ኢሉ መለሰሉ “ንሸኻ ናይ ኮናት መሳርሒታትካ ወሲድካ ንዓኽከራትካ ሃቦም። ኣነ ብናይ ፈጣሪየይ ኢየሱስ ክርስቶስ ረድኤት እተኣማመን እየ፡ ናይ ኮናት መሳርሒ ኣይደልን፡ ካብ ውተሃደራት እውን ሓደ እኳ ምሳይ ዝሕግዘኒ ኣይደልን እየ። እዚ ሒዘዮ ዘሎኹ ኮናትን እዚ ፈረሰይን ይኣክለኒ ፈጣርየይ ክረድኣኒ እዩ” እቲ ንጉሥ ከኣ በል “እነሆ ጸላእትና ናባና ቀሪቦም ኣለዉ እሞ ዝደለኻዮ ግበር” በሎ።
ንጉሥ ተጠራጢሩ “ንናይ በርበር ሰባት ክትወግኦም እንታይ ኃይሊ ኣሎኻ ንሳቶም ብዙሓት ዓይነት እዮም” በሎ። ቅዱስ ቴዎድሮስ ግን “ንሸኻ ምስ ሠራዊትካ በዚ ቁም” ኣነ ግን ንበይነይ ክኸይድ እየ፡ ዝገብሮ ከኣ ክትርእየኒ ኢኻ። ኣነ ብኃይሊ እግዚኣብሔር ከምዘጥፍኦም እፈልጥ እየ። ብናቶም ብዝሒ እቲ ንጉሥ ኣደነቐ። ነቶም ምስኡ ዘለዉ እውን ኣደነቕዎም።
ቅዱስ ቴዎድሮስ ንበይኑ ከይዱ ነቲ ንጉሥን ነቶም ሰብ በርበርን “ትዋግኡ ዲኹም ወይሲ ብሰላም ንሃገርኩም ትምለሱ” በሎም። ንሳቶም ብጀካኻ ናብ ሰልፊ ዝመጽኣ ሰብ ስለ ዘይረኣና ድኣ ምስ መን ክንዋጋእ” በልዎ። ንሱ “ ኣነ ንበይነይ ብኃይሊ ፈጣሪየይ ከጥፍኣኩም እየ” በሎም። ንሳቶም “ ምናልባት ከልቢ ኩተባርር መጺእካ ትኸውን። እንተፈቂድካ ግን ካባና ሓደ ናባኻ ክመጽእ ምረጽ እሞ ክልቲኹም ተጋጠሙ” በልዎ። ቅዱስ ቴዎድሮስ ገጹ ናብ ምሥራቅ ጠሚቱ ጸለየ።
ጸሎቱ ወዲኡ ኣብቲ ኮናት ብምልክት መስቀል ምስ ኣማዕ ተበ ንበይኑ ገጠመሎም።
“ ኣነ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ባርያ ” እየ እናበለ ኣሰነፎም። ክምለስ እንከሎ ንጉሥ ብኽብሪ ተቐበሎ። እቶም ሠራዊት'ውን ሰገዱሉ። ንሰብ ኣንጾኪያን ንሰብ በርበርን ማረኽዎም።
ኣውኪስጦስ ኣብ ዝተባህለ ሃገር ዝነበሩ ሰባት ዘምልኽዎ ዓቢ ገበል ነበረ። በብመዓልቱ ክልተ ክልተ ሰባት ይህብዎ ነበሩ። ናይ ሓንቲ ክርስቲያናዊት ሰበይቲ ክልተ ደቃ ብዘይፍቕዳ ነቲ ገበል ኣቕረብዎም። ኣብዚ ግዜ'ዚ ቅዱስ ቴዎድሮስ ናብኡ መጺኡ ስለዝነበረ ዝኾነ ኩሉ ምስ ናይ ንብዓታ ነገረቶ። ክርስቲያን ምኻና ምስ ፈለጠ ብልቡ “ እዛ ሰበይቲ በዲሎማ እዮም። እግዚኣብሔር ከኣ ክፈድየላ እዩ” በለ። ገጹ ንምሥራቅ መሊሱ ምስ ጸለየ ነቲ ገበል ብኹናት ወቒዑ ቀተሎ። ቁመቱ 12 (፲፪) ሜትሮ ወይ ከኣ 24 (፳፬) እመት ነበረ። ነቶም ደቃ ከኣ ኣድሓኖም።
ድሕሪኡ ነቡኡ ደልዩ ኣብ ላዕላይ ግብጺ ረኸቦ። ኣቡኡ ወዱ ከም ዝኾነ ብመልክዑ ኣላለዮ። ቅዱስ ቴዎድሮስ ኣቡኡ ክሳብ ዝዓርፍ ኣብኡ ተቐሚጡ ናብ ኣንጾክያ ተመልሰ። ንጉሥ ዲዮቅልጥያኖስ ከኣ ካብ ክሕደቱ ከይተመልሰ ጸንሐ።
ቅዱስ ቴዎድሮስ ነቲ ገበል ስለ ዝቐተሎ እቶም ሰብ ሃገር ኣውኪስጦስ ከሲሶምዎ ነበሩ። ንጉሥ ልኢኹ ኣቕረቦ። ቅዱስ ቴዎድሮስ ግን ከይፈርሀን ከይሓፈረን ስለእቶም ርኹሳት ጣዖታት ነቲ ንጉሥ ገንሐ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ንጉሥ ተቈጢዑ ደሙ ከም ማይ ክሳብ ዝፈስስ ኣኸትኩቶ። ኣእጋሩን ኣእዳዉን ኣብ ሓደ ዓቢ ጉንዲ ሸንኮሮ።

## ቃልኪዳን

ኣብ ውሽጢ ብዙሕ ስቓይ እንከሎ ቅዱስ ሚካኤል መጺኡ “ጽናዕ እነሆ ናይ ገድልኻ መፈጸምታ ቀሪቡ፡ ኣብቲ ሥጋኻ ዝዓርፈሉ ቦታ ተኣምራት ክግለጽ እዩ፡” “ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናትካ መዘኸርታ ዝገብር ዘበለ ኩሉ ብስምካ ንጥሙይ ዘብልዐ፡ ንጽሙእ ዘስተየ፡ ንቤተክርስቲያንካ ሞባእ መጻሕፍቲ ንዝህብ ኣነ ኃጢኣቱ ኩሉ ክድምስሰሉ እየ፡ ገድልኻ ዝጽሕፍን ወይ ዘንብብን ዝሰምዕን ኣነ ሽሙ ኣብ ናይ ሕይወት መጽሐፍ ክጽሕፎ እየ” ሠራዊትን ሕዝብን ተኣኪቦም “ኣንታ ከሓዲ እግዚኣብሔር የጥፍእካ፡ ካብ ኢድ ጸላእትና ዘድሓነና፡ ኃያልን ጽኑዕን ዝኾነ ክቡር ቴዎድሮስ ተሳቐዮ ኣሎኻ” ኢሎም ጨደሩ። ብስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣሚናዎም ብሰማዕትነት ሞቱ።

እንደገና ንቅዱስ ቴዎድሮስ ኣብ ዓራት ሓጺን ኣደቂሶም ሓዊ እንተኣቃጸልሉ ብጸሎቱ ማይ ገበሮ። ካብ ሰማይ “ኃይሊ ዝተዋህበካ ጽናዕ፡ በርትዕ” ዝብል ድምጺ መጽአ። ኣብ ቅድሚ ንጉሥ ቆይሙ” ጐይታይ ኣድሒኑኒ “ኣንታ ከሓዲ ሕፈር” በሎ። ንጉሥ ኮነ ናይቶም ጭፍራ ኃላፊ ነዚ ምስ ረኣየ “ክቡር ቴዎድሮስ ዘምልኾ ጐይታ ጥራይ ድኣ እምበር ካልእ ኣምላኽ የለን” ኢሉ ጨደረ። ርእሱ ኣቑረጸ እሞ ብሰማዕትነት ሞተ።

ኣብ መወዳእታ ንቅዱስ ቴዎድሮስ ኣብቲ ኣዲኡ ዘላቶ ቤት ወሲዶም ክሳዱ ቆረጽዎ። ካብ ክሳዱ ደም፡ ጸባ ፈልፈለ (ፈሰሰ)። ዕረፍቱ ሐምሌ ዕለት 20(፳) ኮነ ንሬሳኡ ብሓዊ ከቃጽልዎ ፈቲኖም ነይሮም ብተኣምራት ከይተቓጸለ ወጺኡ። ኣዲኡ ነቶም ወተሃደራት ብዙሕ ገንዘብ ሂባ ሥግኡ ወሰደት። ብክቡራት ኣልባስ ገነዘቶ። ዘመነ ስደት ክሳብ ዝፍጸም ከኣ ኣብ ቤታ ኣንበረቶ። ድሕሪኡ ሰጥብ ኣብ ዝተባህለ ኣብ ዝተሠርሐት ገዳም ሥግኡ ኣቐመጡ። ኣብቲ ሥጋኡ ከኣ ቀጽሪ ዘይብሉም ተኣምራት ተራእዩ። ዓቢ ፈውሲ ኮነ።

***በረሽት ኣምላኹ ንቅዱስ ቴዎድሮስ ንኦልና ሕዝበ ክርስቲያን ይሓልወና ኣሜን።***

- ሰላም ለከ ቴዎድሮስ ክቡር
- ገባሬ ተኣምር
- በስመ ኢየሱስ ክርስቶስ ገባሬ ሰማያት ወምድር
- እንዘ ታሰምዕ ጽድቀ ዓውደ ኣላውያን ማኅበር
- ትዕይንተ በርበር ተጋጉሉ ወንጉሥ ኅሱር

ምንጪ፡- ስንክሳር ዕለት ፭ ሐምሌ
ነገረ ቅዱሳን ገጽ ፱፭

✠ ✠ ✠

**<u>ታሪኽ ሰማዕት ቅዱስ ኣቦሊ</u>**

ቅዱስ ኣቦሊ ካብቶም ደቂ ነገሥታት ውሽጢ ሓደ እዩ። ኣቡኡ ዮስጦስ ኣዲኡ ታውክልያ ይብሃሉ። ዓላውያን ወጊኡ ክምለስ እንከለ፡ ንጉሥ ዲዮቅልጥያኖስ ንክርስቶስ ክሒድዎ ጸንሑ። ቅዱስ ኣቦሊን ኣቡኡ ዮስጦስን ካልኦት ደቂ ነገሥታት እውን ንዲዮቅልጥያኖስ ኣጥፊኦም ምድራዊት መንግሥቲ ክሕዙ እናኸኣሉ እንከለዉ ዘይትሓልፍ መንግሥተ ሰማያት ብምሕሳብ ተዓገሱ።

ድሕሪኡ ቅዱስ ኣቦሊ ናብ ቅድሚ ንጉሥ ቀሪቡ ብጐይታ ሰማይን ምድርን ኢየሱስ ክርስቶስ ከምዝኣምን ገለጸ። ዲዮቅልጥያኖስ ከኣ ንዕኡን ነዲኡን ኣቡኡ እንተላይ ክሓባብሎምን ከስሕቶምን መኽረ። ንሳቶም ግና ክሰምዕዎ ኣይከኣሉን። ቅዱስ ኣቦሊ ንዲዮቅልጥያኖስ ዘምኡ እዩ ማለት ሰይቲ ዲዮቅልጥያኖስን ኣቦ ኣቦሊ ቅዱስ ዮስጦስን ናይ ቀረባ ቤተሰብ እዮም።

ንጉሥ ደቂ ነገሥታት ብምኻኖም ከይኩንኖም ስለ ዝፈርሀ፡ ብመልእኽቲ መልክዕ ጎርሜኔዎስ ናብ ዝተባህለ ናይ እስክንድርያ ገዛኢ ለኣኾም። ኣብቲ መልእኽቲ “ዮስጦስን ሰበይቱ ታውክልያን ኣቦሊ ወዶምን ናባኻ ኣብ ዝበጽሑሉ ግዜ ሓባብሎም እንተዘይኮነ ነንበይኖም ፍለዮም” በሎ። በዛ ለይቲ እዚኣ ጐይታ ተገሊጹ ኣጸናንየም። ጽኑዕ ቃል ኪዳን ውን ሃቦም። ናብ ጎርሜኔዎስ ምስ በጽሑ ምድራዊ ሥልጣን ዝነዓቐ ሰባት ብምኻኖም ስሊኦም ብጣዕሚ ኣደነቐ። ክፉእ ነገር ክዛረቦም'ውን ኣይደፈረን። ብምሕባል ዕላማኡም ንምትዕ ንቓፍ ፈቲኑ ምኻን ኣበዮ።

ድሕሪኡ ከምቲ ዝተመኽሮ ናብ ዝተፈላለየ ሃገራት ፈላልዩ ፋሕ ኣበሎም። ማለት ንቅዱስ ዮስጦስ ናብ <u>ከተማ እንዴናው</u>፡ ንቅድስት ታውክልያ <u>ፃ</u>፡ ናብ ዝተባህለ ሃገር ንኣቦሊ ድማ <u>ብስጣ</u> ናብ ዝተባህለ ሃገር ሰደዶም። ሓደ ሓደ ኣገልጋሊ (ተለኣኪ) ከኣ ሃቦም። ቅዱስ ኣቦሊ ብስጣ ምስ በጽሐረኽበቅዱሳኽ ገጢየሱስ ክርስቶስ ምእማኑ ኣብ ቅድሚ መኰንን ገለጸ። በዚ ግዜ'ዚ ብሓዊ ምቅጻልን፡ ብመንኰራኰርን ኣሣቐዮ፡ ሕዋሳቱ ቆራረጹ ናብ ኣናብስት ደርበዮ፡ ጐይታ ከኣ ካብዚ ኹሉ ኣድሓኖ። ነዚ ተኣምር'ዚ

ዝረኣዩ ብዙሓት ሰባት ብጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣሚኖም ብሰማዕትነት ዓረፉ።
እቲ መኰንን ግና ኣዝዩ ተቐጢዑ ንቅዱስ ኣቦሊ ቆርበቱ ገፊፎም ነቲ ቕኑስሉ ከኣ ብጨው ክሓስይዎ ኣዘዘ። ነዚ ዅሉ ኣብ ልዕሊኡ ፈጸሙ ቆርበቱ ኣሰኪሞም ኣብ ውሽጢ ከተማ ኣዞርዎ። ንሱ ግን “ ወዲ ህያው እግዚኣብሔር ጐይታይ ኢየሱስ ክርስቶስ ርድኣኒ፡ ካብዚ ስቓይ እዚ ውን ኣውጽኣኒ” ኢሉ ጸለየ። ሽዑ ቅዱስ ሚካኤል ናብኡ መጺኡ ኮለንትናኡ ዳህሲሱ ኣሕወዮ። እቲ መኰንን ከኣ ዝቮነ ዅሉ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ኰይንዎ እንደገና ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣእተዎ።
ቅዱስ ኣቦሊ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኰይኑ ክጽሊ እንከሎ ጐይታ ተገሊጹ “ዝመረጽኩኻ ኣቦሊ ሰላምታ ንዓኻ ይኹን፡ ኣነ'ውን ምሳኻ ኣሎኹ” በሎ። ንሱ ተሐጕሱ ሰገደሉ።

## ገለ ካብ ዝፈጸሞ ተኣምራት

ሓደ ኣበስከሮን ዝተባህለ ሃብታም ናይ ገዝኡ ግድጊዳ ኣፍሪሱ ከሰርሕ እንተፈተነ እቲ ግድጊዳ ፈሪሱ 16 (፲፮) ዓ በይቲ፡ 2 (፪) ሕጻናትን ጸቒጥዎም ሞይቶም። እዚ ሃብታም ሰብኣይ ብኃዘን ተጨቢጡ ናብ ቅዱስ ኣቦሊ ከይዱ እናሰገደ “ራኅርኃለይ ነዞም ዝሞቱ ብተኣምር እንተ ኣተንሢእካለይ ብኢየሱስ ክርስቶስ ክኣምን እየ” በሎ። ቅዱስ ኣቦሊ ጸልዩ እቲ ዝተገፈፈ ቆርበቱ ኣልበሶም “ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ ተንሥኡ” እንተበሎም ኮላቶም ተንሥኡ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ እቶም ሕዝቢ ብጠቕላላ ብኢየሱስ ክርስቶስ ኣመኑ። እቲ ሃብታም ውን ምስ ኮላቶም ቤተሰቡ ኣመነ።

## ቃልኪዳን

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ጐይታ ንቅዱስ ኣቦሊ ተገሊጹ “ኣብ መከራ ዘሎ ሰብ ብስምካ እንተ ለሚኑኒ ኣነ ክሰምዖ እየ። ልማኖኡን ድሌቱን ክፍጽመሉ እየ። “ብስምካ ቤተክርስቲያን ንዝሠርሕ ኣነ ኣብ ሰማያት ብርሃናዊ መሕደሪ ቤት ክሰርሓሉ እየ፡ ንገድልኻ ዝጸሓፈ ወይ ከኣ ዘንበበ፡ ዝሰምዐ፡ ኣነ ኣብ ክንፊ ኪሩቤል ስሙ ክጽሕፈሉ እየ። ኣብ ሕቕፊ ኣብርሃም፡ ይስሐቅ፡ ያዕቆብ ክዕርፎ እየ። ብዙሕ ኃጢኣት ሰሪሑ ብንሥሓ ብስምካ ናባይ እንተለሚኑ ብዘሎ ኃጢኣቱ ክሓድገሉ እየ። ሰላመይ ምሳኻ ይኹን”። ቃልኪዳን ምስ ሃቦ ናብ ሰማይ ዓረገ።ኣብ መወዳእታ ቅዱስ ኣቦሊ ክሳዱ ብሰይፍ ተሰይፉ ብሰማዕትነት ዓረፈ፡ ኣስከሬኑ ካብ ከተማ ምስሪ ወጻኢ ህንቅ ኣብ ዝተባህለ ገዳም ይቕመጥ ኣሎ። በብግዚኡ ዓበይቲ ተኣምራት የርኢ።
ናይ ኣቦና ቅዱስ ኣቡነ ኣቦሊ በረከት ይሕደረና። ኣሜን።

- በብሂለ ሰላም ለከ ለፍልሰተ ሥጋከ ኣኃሊ፡
- ወልደ ዮስጦስ ኣቦሊ፡
- እስመ ኣጽንዓከ ለከ እግዚኣብሔር ከሀሊ፡
- ኢደንገፅከ ወኢፈራህከ እምትግርምተ ዕልው ቀታሊ፡
- እንዘ በመጥባህት ማዕሰከ ይሌሊ።

***ምንጪ፡- - ነገረ ቅዱሳን ገጽ ፹፰ ብ፲፱፻፸፫ ዓ.ም.ግ. ኣ.ኣ.ኢ.***

***- ሰንክሳር ዕለት ፳፯ መስከረም***
***- ታሪኽ ቅዱሳን ፭ኛ ክፋል ፲፱፻፸፫ ዓ.ም.ግ. ኣ.ኣ.ኢ.***

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ሰማዕት ቅዱስ ፋሲለደስ

ቅዱስ ፋሲለደስ ናይ ሮማ ንጉሥ ኃላፊ ሠራዊቱ ነበረ። እታ መንግሥቲ'ውን ብናቱ ምኽሪ እያ ጸኒዓ ትነብር። ብዙሓት ተባዕትዮን ኣንስትዮን ኣገልገልቲ ነበርዎ። ናይ ሮማ ንጉሥ ኑማርያኖስ ኃፍቲ ቅዱስ ፋሲለደስ ኣእትዩ (ተመርእዩ) ንዮስጦስን ገላውዴዎስን፡ ኣባዲርን ወለደ።
ሰይቲ ቅዱስ ፋሲለደስ ንኣደ ቅዱስ ፊቅጦር ኃፍታ እያ። ካብኣ ከኣ ኣውሳብዮስ፡ መቃርስ፡ ዝተባህሉ ኣወዳት ወሊዱ። ኣብዚ ወርሓት'ዚ ናይ ቀዝ፡ ናይ ፋርስ፡ ሰባት ንሰብ ሮማ ክወግእዎም ናብ ልዕሊኦም ተንሥኡ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ንወዲ ንጉሥ ዮስጦስን ፋሲለደስን ኣውሳብዮስን መምስ ሠራዊቶም ንውግእ ለኣኽዎም። ንጉሥ ኑማርያኖስ ናብ ካልእ ዓውደ ውግእ ከይዱ ሞተ። ሮም ብዘይ መራሒ ተረፈት።

ሰብ ሮማ ካብ ምሉእ ሃገር ሓርበኛ ኣኪቦም ካብ ማእከሎም ማለት ካብ ላዕላይ ግብጺ ዝመጽአ ኣግሪጳዳ ዝተባህለ ሓላዊ ኣጣል ኣብቶም ናይ ቤተ መንግሥቲ ኣፍራስ ዝገበሮ ርእዮም ብስርሑ ዅሉ ኃያልን ብርቱዕን ነበረ። ንል ንጉሥ ኑማርያኖስ'ውን ርእያ ስለዝፈተወቶ ተመርዓወቶ። ስመ መንግሥቱ ከኣ ዲዮቅልጥያኖስ ተባህለ። ድሕሪ ሓጺር ግዜ ንእግዚኣብሔር ገዲፉ ንጣዖት ኣምለኸ፡ ቅዱስ ፋሲለደስ ሰሚዑ ብጣዕሚ ጉህዩ ንመንግሥቲ ዝህቦ ዝነበረ ኣገልግሎቱ ገደፎ።

ዮስጦስን ኣውሳብዮስን ጸላእቶም ስዒሮም ብሐጐስ እንተ ተመልሱ ዲዮቅልጥያኖስ ጣዖት ኣቑሙ ጸንሑም። ብጣዕሚ ኃዘን ተሰሚዕዎም ንዲዮቅልጥያኖስ ቀቲሎም ንዮስጦስ ከንግሡ ፈተዉ። ቅዱስ ፋሲለደስ ግን ካብዚ ነገር እዚ ከልከሎም።

ድሕሪኡ ቅዱስ ፋሲለደስ ንቤተሰቡን ኣዝማዱን፡ ሠራዊቱን ኣገልገልቱን ኩሎም ምእንቲ ስም ክርስቶስ ሰማዕትነት ክቕበል ምኻኑ ኣረድኦም። ንሳቶም'ውን " ንሕና'ውን ካባኻ ፈጺምና ኣይንተርፍን ኢና፡ ምሳኻ ክንመውት ኢና " በልዎ። ንግዚኡ ኣብ ቅድሚ ዲዮቅልጥያኖስ ቆይሞም ብክርስቶስ ምእማኖም ገለጹ። ካብዚ ዝተላዕለ ንጉሥ ፈርሀ፡ ምኽንያቱ ንሳቶም ደቂ ነገሥታት ምኻኖም ስለ ዝፈልጥ።

ሽዑ ብምኽሪ ናይ ቅዱስ ፊቅጦር ኣቦ ጎርማኖስ ቅዱስ ኣባዲርን ኃፍቱ ኢራኒን ናብ ሓንቲ ሃገር፡ ኣውሳብዮስን ሓዉ መቃርስን ናብ ካልእ ቦታ፡ ገላውዴዎስ ድማ ናብ ካልእ ሃገር ማለት 5 (፭) ኩተማታት ናብ ዝርከብዋ ናብ ምድሪ ኣፍሪቃ ናብ መኰንን መድሩስ ተላእከ።

መድሩስ ምስ ረኣዮ ሥልጣነ መንግሥት ብምንዓቑ ብጣዕሚ ኣደነቖ። ጐይታ መልኣኹ ልኢኹ ንቅዱስ ፋሲለደስ ብመንፈስ ናብ ሰማይ ኣውጺኡ ብብርሃን ዘጊጸ መንፈሳዊ ማኅደር ኣርእዩ ናብ ዝነበሮ መለሶ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ነቶም ኩሎም ባሮቱ ነጻ ኣውጽኦም። ምስኡ ከኣ ሸውዓተ ሽሕን ሠላሳን ሠለስተን (7033) ዝኾኑ ሰባት ሰማዕትነት ተቐበሉ።

ቅዱስ ፋሲለደስ መከራ በርቲዕዎ ብመንኰራኵርን ብዝተሳሕሉ ናይ ሓጺን ዘንግታትን ሥግኡ ተበጣጢሱ ሞተ። ጐይታ ግን ካብ ሞት ኣተንሥኦ። ነዚ ምትንሣእ'ዚ ዝረኣዩ ኣሕዛብ ብጐይታ ኣመኑ። ቅዱስ ፋሲለደስ ንንጉሥን ጣዖታቱን ረገሞም። ብቁጽሪ ዓሠርተው ኣርባዕተ ሽሕን ሸውዓተ ሚእትን (14700) ተባዕትዮ ሠላሳን ሸውዓተን (37) ደቂ ኣንስትዮን ብሰማዕትነት ዓረፉ።

ድሕሪኡ ንቅዱስ ፋሲለደስ ሥግኡ መቪኹስ ከም ማይ ክሳብ ዝኸውን ኣብ ሞቕሎ ውሽጢ ኣብሰልዎ። ኣብ ጉድንድ ከኣ ቀበርዎ። ጐይታ ከኣ ኣተንሥኦ። ከይዱ ነቲ መኰንን "ሕፈር፡ ጐይታይ ኣተንሢኡኒ" በሎ። ሕጂ ከኣ ክልተ ሽሕን ሠለስተ ሚእትን (2300) ሰባት ኣሚኖም ብስምዕትና ዓረፉ።

ሕጂ'ውን ንቅዱስ ፋሲለደስ ኣብ ውሽጣ መጋዝ ብዘለዋ መንኰራኩር ኣሳቐይዎ። ኣብ ዓራት ሓጺን ኣደቂሶም ብትሕቲኡ ሓዊ ኣጐዱሉ። ኣብ መወዳእታ ብሰይፊ ተሰይፉ ዓረፈ።

## ቃል-ኪዳን

ኣብዚ ግዜ'ዚ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ "ፋሲለደስ ፍለጥ መዘከርታኻ ንዝገብር ኩሉ ንድኻታት ብስምካ ምጽዋት ዝህብ፡ ንዝዓረቐ ክዳን ዝኸድን፡ ኣብቲ መዘከርታኻ መዓልቲ ንቤተክርስቲያን ሞባእ ዝህብ፡ ብብዙሕ ይኹን ብሒደት፡ ዝኽርካ ዝገብሩ ኩሎም ኣነ በደሎም ኩሉ ክገድፈሎም እየ። ቦትኣም ከኣ ኣብ መንግሥተ ሰማያት ምሳኻ ክገብሮም እየ" ኢልዎ ንሰማይ ዓረገ። ቅዱስ ፋሲለደስ ብፍጹም ሐጐስ ተሰነየ። ግዚኡ ምስ ኣኸለ ክሳዱ ብሰይፊ ተቐሪጹ ብሰማዕትነት ዓረፈ።

ናይ ቅዱስ ፋሲለደስ ናይ ሰማዕትነት በረኸት ኣብ ልዕሊ ኩልና ሕዝበ ክርስቲያን ይሕደር ኣሜን።

*ምንጪ፡- ነገረ ቅዱሳን ገጽ ፻ ብ ፲፱፻፺፮ ዓ.ም.ግ. ኣ.ኣ.ኤ*
*- ሰንክሳር ወርኀ መስከረም ዕለት ፲፩*

✠ ✠ ✠

### ታሪኽ ሰማዕት ቅዱስ ሚናስ

ቅዱስ ሚናስ ኣቡኡ ኣውዲክዮስ ይብሃል፡ ናቅዮስ ካብ ዝተባህለ ሃገር እዩ። ሚናስ ማለት ቡሩክ ምእመን ማለት እዩ። ገዛኢ ሃገር ተሸይሙ ኸሎ፡ ሓዉ መዋልዱ ንኣውዲክዮስ ቀኒኡ ናብ ንጉሥ ኣትዩ ነገር ፈጠረሉ። እቲ ንጉሥ ከኣ ናብ ሃገረ አፍራቅያ ሰዲዱ፡ ኣብኡ ገዛኢ ሃገር ጌሩ ሸሞ። ንእግዚኣብሔር ዝፈርህ ንሰብ ዝርጎርጎ ስለዝኾነ ደቂ እቲ ሃገር ኣዝዮም ፈተውዎ። ኣዲኡ ቅድሚኡ ውላድ ኣይነበራን። ሓደ መዓልቲ በዓል ንምብዓል ናብ ናይ ቅድስት ድንግል ማርያም ቤተክርስቲያን ከምኡውን ስለ ውላድ ክትልምና ኣብ ቅድሚ ሥእላ ወዲቕ ብሸየት። ካብታ ሥእሊ “ኣሜን” ዝብል ቃል ሰምዐት። ገዝኣ ኣትያ ንሰብኣያ እንተነገረቶ “ፍቕድ እግዚኣብሔር ይኹን” በላ። ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ውላድ ሃባ። ከምቲ ካብታ ሥእሊ ዝሰምዓ ቶ ስሙ “ሚናስ” ኢሎም ሰመይዎ። ምስ ዓበየ ናይ ቤተ ክርስቲያን ትምህርቲ ኣምሃርዎ (ተምሃረ)።
ቅዱስ ሚናስ ወዲ 12 (፲፪) ዓመት ምስ ኮነ ኣቡኡ ብጽቡቕ እርጋን ዓረፈ። ድሕሪኡ ኣብ መበል 3 (፫) ዓመቱ ኣዲኡ ዓረፈት። ቅዱስ ሚናስ ንበይኑ ተረፈ። እቶም መኳንንቲ ነቡኡ ኣጸቢቕም ስለ ዝፈትውዎ ንሚናስ ኣምሳያ ኣቡኡ መስፍንና ሸምዎ። ንሱ ውን ናይ ክርስቶስ ኣምልኾት ኣይገደፈን።
ኣብ ዘመኑ ናይ ዲዮቅልጥያኖስ ጣያት ኣይነምልኽን ዝበሉ ሰማዕታት ሞቱ። ሽዑ ቅዱስ ሚናስ ሽመቱ ገዲፉ ኣብ ገዳም ኣትዩ ብብሕትውና ይነብር ነበረ። ሰማይ እናተኸፍተ ሰማዕታት ኣኽሊል ዓወት ክወሃቡ ይርኢ ነበረ። “ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ መከራ ዝቕበል ከምዚ ጌሩ ኣኽሊል ዓወት ኣለዎ(ይረኽብ)” ዝብል ድምጺ ውን ሰምዐ፡ ሽዑ ንሽዑ ናብ ኩተማ ተመሊሱ ስለ እምነቱ መስከረ። ወገናቱ ኀኽገድፎ እኳ እንተሓባበልዎ ክሰምየም ኣይከኣለን።
እቲ ገዛኢ'ውን ብብዙሕ ቃል ኪዳን ሓባቢሉ ስለ ዘይሰምየ ድሕሪ ብዙሕ ስቓይ ክሳዱ ብሰይፊ ቆሪጹ ከምዝመውት ገበረ። ምስኡ ከኣ ብዙሓት ሰማዕታት ዓረፉ። ሥጋ ናይ ቅዱስ ሚናስ ናብ ሓዊ እንተደርበይዎ እቲ እሳት ዘይትንክፎ ኾነ። ምእመናን ብጽቡቓት ኣልባሳት ምስ ገነዝዎ፡ ዘመነ ስደት ክሳብ ዝሓልፍ ኣብ ውሽጢ ጽቡቕ ቦታ ኣቐመጥዎ።
ኣብዚ ወርኃት'ዚ ናይ ሃገር መርዩጥ ሰባት ካብ 5 (፭) ሃገራት ሠራዊት ኣኪቦም ብደሓር ክረድኡምን ክሕልዎምን ናይ ቅዱስ ሚናስ ሥጋ ምሳታቶም ወሰድዎ። ኣብ ውሽጢ መርከብ እንከለዉ ገጾም ከም ከይሲ፡ ክሳውዶም ከም ናይ ገመል ክሳድ ዝበሉ ኣራዊት ካብ ባሕሪ ወጺኦም ናይ ቅዱስ ሚናስ ሥጋ ክልሕሱ ክሳውዶም ኣቕንዑ ካብ ናይ ቅዱስ ሚናስ ሥጋ እሳት (ሓዊ) ወጺኣ ነቶም ኣራዊት ኣቃጸለቶም። እስክንድርያ በጺሖም ስርሖም ፈጺሞም ናይ ሚናስ ሥጋ ኣብ ገመል ጸዓኑ። ንሱ ምትንሣእ ኣበየ፡ ኣብዚሖም እንተ ኸትኸትዎ'ውን ዘይንቕሳቀስ ኮነ።
ንሳቶም እግዚኣብሔር ዝፈቐደሉ ቦታ ምኻኑ ተረዲኦም ኣብኡ ቀበርዎ። ናይ ቅዱስ ሚናስ ሥጋ ንብዙሕ ዘመናት ኣብኡ ነበረ።

## ካብ ዝገበሮ ተኣምር

ኣብ ጥቓ እዛ ጎቦ እዚኣ ኣባጊዕ ዘፋሪ ሓደ ሰብ ነበረ። ሕማም ዘለዎ ሓደ በጊዕ ከባቢ እታ ጎቦ ዘሎ ናይ ዒላ ማይ ተሐጺቡ ንዕለቱ ሓወየ። እቲ ሓላዊ ተደኒቑ፡ ነተን ካልኦት ሕማም ዘለውወን እናኣምጽኦ ሐጸበን እሞ ካብ ዝነበረን ሕማም ሓወያ። በዚ ምኽንያት'ዚ እቲ ቦታ ፍሉጥ ኮይኑ ሕማም ዘለዎም ሰባት ኩላቶም ነቲ ሐመድ ብማይ በጽቢጾም ብምቕባእ ይሓውዩ ነበሩ።
ናይ ሮማ ንጉሥ ነዚ ወረ'ዚ ሰሚዑ ብቑስሊ ትሳቐ ዝነበረት ጓሉ እንተ ሰደዳ፡ ንሳ'ውን ሓወየት። እዚ ተኣምር'ዚ ዝግበረሉ ዘሎ ምኽንያት ዋላ ኣይፈልጥን ነበረ። እታ ጓል ንጉሥ ምኽንያቱ ክትፈልጥ ትደሊ ነበረት። “ሽዑ ቅዱስ ሚናስ ብሕልሚ ተገሊጹ ናተይ ሥጋ ኣብዚ ቦታ'ዚ ተቐቢሩ ስለ ዘሎ እነሆ ኣኹዒትኪ ከተውጽእዮ እግዚኣብሔር ኣዚዙኪ ኣሎ” በላ። ንሳ ካብ ድቃስ ተባራቢራ ከምቲ ዝኣዘዛ ገበረት። ክቡር ሥግኡ ኣውጺኣ ጽብቕቲ ቤተክርስቲያን ሰርሓትሉ። እቲ ኣቡኣ ንጉሥ'ውን ኣብቲ ቦታ ከተማ ክሰርሑ ንመኳንንትን ሽዮማትን ኣዘዞም። ዓቢ ከተማ

ከኣ ተሰርሐት፣ ስማ'ውን <u>መርዩጥ</u> ተባህለት። እቲ ሊቀ ጳጳሳት'ውን ምስ ኤጲስ ቆጳሳት መጺኡ ሰነ ዕለት 15 (፲፭) ነታ ቤተክርስቲያን ኣኽበራ።

## <u>ዕረፍቲ ናይ ቅዱስ ሚናስ</u>

ናይ ቅዱስ ሚናስ ዕረፍቲ ዕለት 15 (፲፭) ጎዳር እዩ።
ናይ ሰማዕት ቅዱስ ሚናስ በረኽት ምስ ኵላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።

- ሰላም ለከ ሐራዊ መስፍን
- ሰማዕተ መድኅን
- ሰመየተከ ሚናስ ዘየረተከ ማኅፀን፣
- ኣመ ጸለየት ጸሎተ እንዘ ይእቲ መካን፣
- እምሥእለ ማርያም ሰሚዓ ዘይቤ ኣሜን።

***ምንጪ፦ ሰንክሳር ዕለት ፲፭ ጎዳር***
***ነገረ ቅዱሳን ገጽ ፶፩ ብ፲፱፻፶፯ ዓ.ም.ግ. ኦ.ኦ.ኢ.***

✠ ✠ ✠

## <u>ታሪኽ ሰማዕት ቅዱስ መርቆሬዎስ</u>

መርቆሬዎስ ማለት ናይ ኣብ ፈታዊ ማለት እዩ። ብካልኣይ ትርጉሙ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣገልጋሊ ማለት እዩ። ኣቦ ቅዱስ መርቆሬዎስ ናይ ክርስትና ስሙ ኖኅ ይብሃል። ስም ኣዲኡ ከኣ ታቦት ትብሃል። ናይ ኣቡኡ ኖኅን ኣቦ ሓጉኡን ሃገር ኣሰሊጥ ክኸውን እንከሎ፣ ተወሊዱ ዝዓበየሉ ሃገር ግን ሮማ እዩ። ኣቦኡ ኖኅን ኣቦሓጉኡን ሃዳኖ እንስሳ ዘገዳም እዮም ነይሮም። ከም ልማዶም ንሃድን እንተወጽኡ ካብ ወገን ገጸ ከለባት 2 (፪) ተባዕትዮ ተራኸብዎም ንኣባ ሓኅ መርቆሬዎስ በሊያም ንኣቡኡ ኖኅ'ውን ክበልዕዎ ምስ ሓሰቡ ካብ እግዚኣብሔር ዝተኣዘዘ መልኣኽ "ካብኡ ዝወጽእ ምሩጽ ፍረ ስለዘሎ ኣይትተንክፍዎ" በሎም። ድሕሪኡ መልኣኽ እግዚኣብሔር ዙሪያኦም ብእሳት ከበቦም። ምስ ተሸገሩ ንኣቦ መርቆሬዎስ መጺኦም ሰገዱሉ። ፍጥረቶም ናብ ለውሃት ተቐይሩ ከም ኣባጊዕ የዋሃት ኮኑ። ሓቢሮም ከኣ ናብ ዓዲ ኣተዉ።
ድሕሪኡ ቅዱስ መርቆሬዎስ (ፒሉፓዴር) ተወልደ። ስሙ ከኣ ፒሉፓዴር በልዎ። እዞም መልክዕ ከልቢ ዘለዎም ምሳታቶም ንነዊሕ ግዜ ዝጸንሑ ድሕሪኡ ክርስቲያን ኮኑ። ቀደም ኣረማውያን እዮም ነይሮም።
እቶም ገጸ ከለባት የገልግልዎ፣ ይእዘዝዎ ነበሩ። ንጉሥ ነዚ ዜና'ዚ ምስ ሰምዐ ናብኡ ከምዚመጽኡ ገበረ። ሽዑ እግዚኣብሔር እቲ ናይ ቀደም ፍጥረቶም፣ ኃይሎም፣ መሊሱሎም ነቶም ናይ ንጉሥ ኣራዊት ኣጥፍእዎም። ንጉሥ ነዚ ፈሪሁ፣ ግርምኡምን ሓይሎምን ክምለስ ንኖኅ ለመኖ። ብናቱ ጸሎት ተመሊሱሎም ግሩማት ኮኑ። እቲ ንጉሥ ንኖኅ ገዛኢን ሓለቓ ሠራዊትን ጌሩ ሸሞ። ገጸ ከለባት ይእዘዝዎ ስለዝነበሩ ኩሉ ይፈርሆ ነበረ። ኣብ ዘመኑ ኮናት ስለ ዝተላዕለ ብናይ ንጉሥ ትእዛዝ ኖኅ ዘሚቱ። እቲ ከሓዲ ዝነበረ ንጉሥ ነቶም ገጸ ከለባት ሓባቢሉ ክወስዶም፣ ሃይማኖቶም ከለውጦም ደለየ፣ ግን ከኣ ኣበይዎ። በዚ ምኽንያት ኣሳቐዮም፣ ሓደ ካባታቶም ኣምሊጡ ናብ ጐይትኡ ክምለስ ከሎ እቲ ካልኣይ ከኣ ብሰማዕትነት ሞተ።
ኖኅ ካብ ኮናት ክምለስ እንከሎ ሰበይቱን ወዱን ኣይጸንሕዎን። ንጉሥ እቶም ናቱ ወገናት ከምዝተሳዕሩ ምስ ሰምዐ ኖኅ ዝሞተ መሲሉዎ ንሰበይቱ ማለት ንኣደ ቅዱስ መርቆሬዎስ ቅድስቲ ታቦት ንዕኡ ክወስዳ ደለየ። ካብ ወተሃደራት ሓደ መጺኡ ነዚ ናይ ንጉሥ ሓሳብ እዚ ንታቦት ይነግራ እሞ ንገለ ወተሃደራት ብምልማን ብሕቡእ ምስ ወዳ ካብቲ ሃገር ወጸት።
እቲ ንጉሥ'ዚ ምሥጢር እዚ ንኖኅ ከይነግርዎ ኣዘዘ። ምኽንያቱ ካብቶም ገጸ ከለባት ዝተላዕለ ኣጸቢቑ ስለዝፈርሐ። እንደገና ካልኣይ ኮናት ተላዒሉ ኖኅ ናብቲ ኮናት ከደ። ኣብቲ ኮናት ተማሪኹ ናብ ንጉሥ ሮማ ተወስደ። እቲ ንጉሥ ሮማ ክርስቲያን ስለ ዝነበረ፣ ናይ ኖኅ ክርስትና ርእዩ ኣይቀተሎን፣ ብጣዕሚ ስለዝፈተዎ ኣብ ሃገራት መርዶሳውያን ገዛኢ ጌሩ ሸሞ። በዚ ምኽንያት እዚ ሰበይቱ ታቦትን መርቆሬዎስ ወዱን ናብ ዘለዉዎ ሃገር በጽሐ። ሰበይቱ ኣብ ቤተክርስቲያን ምስ ረኣየቶ ኣላለየቶ። ንሱ ግና ከለልያ ኣይከኣለን።
ሓደ መዓልቲ ንወዳ መርቆሬዎስ ጽቡቓት ክዳውንቲ (ኣልቢሳ) ከዲና ኣብቲ ናይ መኰንን ፈረስ ኀኽውጣሕ

ኣዘዘቶ። ማለት ኣብ ናይ ኣቡኡ ፈረስ ክስቀል ኣዘዘቶ። እቶም ጭፍራ ወዲ መኰንን ምኻኑ ስለዘይፈለጡ ሒዞም ብኽሲ ናብ ቅድሚ መኰንን ኣቕረብዎ። እቲ መኰንን ከኣ ወዱ ምኻኑ ስለዘይፈለጠ ተቐጥዐ። ኣዲኡ ቐሪባ “ ኦ ጐይታይ ንሕና ስደተኛታት ኢና ንሸኻ'ውን ካብ ካልእ ሃገር ዝመጻእካ ምኻንካ ምስ ፈለጥኩ ወድኻ ኮይኑ ወደይ ምሳኻ ክኸውን ሐሰብኩ” በለቶ። ንሱ ከመይ ኢላ ከምዝመጸት እንተ መርመራ ሰበይቱ ከምዝኾነት ኣረጋገጸ።
ሽዑ ንዕኡን ንመርቆሬዎስ ወዳን ኣላለዮም። ብጣዕሚ ተሐጉሶም ከኣ ብሓባር ንእግዚኣብሔር ኣመስገኑ። እቲ መቐበሊ ኣጋይሽ ዝነበረ ቤት ቤተክርስቲያን ገሮም ፈጣሪኦም እናኣመስገኑ ብሓደ ተቐመጡ።
ድሓር ግን ኣቡኡን ኣዲኡን ስለ ዝሞቱ ቅዱስ መርቆሬዎስ ኣብቲ ናይ ኣቡኡ ዝነበረ ሃገር ግዝኣት ተሸመ። እቲ ገጸ ከልብ ከኣ ካብኡ ዘይፍለ ናብ ኮናት ምስኡ ዝኸይድ ኮነ። ኮናት ክኸውን እንከሎ እቲ ናይ ቀደም ባሕርዩ ኣምላኽ ይምልሰሉ ስለዝነበረ ማንም ሰብ ክቃወሞ ኣይክእልን ነበረ። ንቅዱስ መርቆሬዎስ ከኣ ናይ ምሽናፍ ኃይሊ ተዋህቦ። ዝናኡ ከኣ ኣብ ኩሉ ተሰምዐ።
ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ሮማ ዳኬዎስ ዝተባህለ ንጉሥ መምለኺ ጣዖት ነበረ። ናይ በርበር ሰባት ተላዒሎም ክዋጋእ ሠራዊቱ ኣኪቡ መጽአ። ንሱ ግን ከም ሕፃ ባሕሪ ብዙሓት ስለዝነበሩ ብጣዕሚ ፈርሐ።
ቅዱስ መርቆሬዎስ “ኣጆኻ እግዚኣብሔር ከጥፍኦም ስለዝኾነ ኣይትፍራህ” በሎ። ከምቲ ዝበሎ ኣብ ውሽጢ እቲ ኮናት መልኣኽ እግዚኣብሔር ከጥፍኦም ረኣየ። እቲ መልኣኽ ንቅዱስ መርቆሬዎስ ሰይፊ ሃቦ እሞ “ንጸላእትኻ ምስ ሰዓርካ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ዘክሮ” በሎ። ጸላእቱ ስዒሩ ክምለስ እንከሎ እቲ መልኣኽ ካልኣይ ተገሊጹ “ ስለምንታይ ምጽዋዕ ስም ፈጣሪኻ ትርስዕ” በሎ።
ንጉሥ ዳኬዎስ ንጣዖት ዕጣን ብምዕራግ በዓል ክገብር ደለየ። ቅዱስ መርቆሬዎስ ግን ናብ ገዝኡ ኸደ። እዚ ነገር'ዚ ከኣ ንዳኬዎስ ነገርዎ። ዳኬዎስ ንቅዱስ መርቆሬዎስ ልኡኻት ልኢኹ ኣጸዊው “ ንኣማልኽቲ፡ ጣዖታት፡ ዕጣን ከተዕርግ ምሳይ ዘይመጻእካ እንታይ ኸንካ ኢኻ፡” በሎ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ቅዱስ መርቆሬዎስ ዕጥቁን እቲ ወተሃደራዊ ክዳኑን ሰንደወሉ። “ ኣነ ንጐይታይ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣይኽሕዶን እየ። ነዞም ርኹሳት ጣዖታት ከኣ ኣይሰግድን እየ” በሎ።
ዳኬዎስ ተቐጢዑ ጥሉላት ብዝኾኑ ኣባትር ኣኾትኩቶ። ብቐርበት ዝተሰርሐ ኩርማጅ ገረፎ። ብናይ ቅዱስ መርቆሬዎስ ምክንያት እቶም ሕዝቢ ከይትንሥእዎ ስለዝፈርሀ ናይ ቀጶዶቅያን ናይ እስያን ክፍሊ ናብ ዝኾነት ቂሳርያ ብሰንሰለት ኣሲሩ ለኣኾ። ኣብኡ ንጉሥ ዳኬዎስ ብዝኣዘዞ መሠረት ክሳዱ ብሰይፊ ተሰይፉ ገድሉ ፈጸመ።

## ዕረፍቱ

ናይ ቅዱስ መርቆሬዎስ ዕለተ ዕረፍቱ ዕለት ፳፩ ጎዳር እዩ።

## ቅዱስ መርቆሬዎስ ካብ ዝገበሮ ተኣምራት ብኽፊል፡-

ዑልያኖስ መንግሥቲ ተቐቢሉ ንጐይታ ክሒዱ ጣዖት ኣምለኸ። ኣብ ዘመኑ ናይ ቂሳርያ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ባስልዮስ ነበረ። ዑልያኖስ በቲ ንምእመናን ዘሳቐየሉ መከራታት መኺሩ ኣስተምሂሩ ቅዱስ ባስልዮስ ካብ ክሕደቱ ንዑልያኖስ ክመልሶ ኢሉ ናብኡ መጽአ።
ዑልያኖስ ንቅዱስ ባስልዮስ ምስ ረኣዮ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ተጻረፎ። ንዕኡ ውን ኣሠሮ። ቅዱስ ባስልዮስ ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ናይ ቅዱስ መርቆሬዎስ ሰማዕት ሥእሊ ርእዩ ጸሎት ገበረ። እቲ ሥእሊ ካብቲ ቦታ ከይዱ ነቲ ከሓዲ ዑልያኖስ ብኾናት ወጊኡ ምስ ቀተሎ ናብ ቦትኡ ተመልሰ። ካብቲ ኣፍ ኮናት ከኣ ደም ጥብ ጥብ ይብል ነበረ። ቅዱስ ባስልዮስ እቲ ዝኾነ ፈሊጡ “ ኦ ናይ ክርስቶስ ምስክር ቅዱስ መርቆሬዎስ ነቲ ክፉእ ጸላኢ ዝኾነ ዑልያኖስ ዶ ቀቲልካዮ መጺእካ” እንተበሎ እወ ንኽብል እቲ ሥእሊ ርእሱ ቅንዕ በለ። ቅዱስ ባስልዮስ ደስ ኢልዎ ንእግዚኣብሔር ኣመስገኖ።
***ጸሎቱን በረከቱን ናይ ቅዱስ መርቆሬዎስ ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።***

- ሰላም ለከ መርቆሬዎስ ዘሮም
- መስተዕዕነ ፈረስ ጸሊም
- አመ አንደዱ ታሕቴከ ውሉደ መርገም
- እምቅሱፍ አባልከ እንተ ውህዘ ደም
- አርኣያ ዝናም ብዙኅ ኣጥፍኦ ለፍሕም።

*ምንጪ፦ 1. ነገረ ቅዱሳን ፶፬*
*- ሰንክሳር ዕለት ፳፭ ጎዳር*

✠ ✠ ✠

## ሰማዕት ቅዱስ አቡነ ሲኖዳ

ጻድቅ አቡነ ሲኖዳ ሃገሩ አብ ውሽጢ ግብጺ ብህንሳ ይብሃል ። መጽሓፍ ነዚ ጻድቅ እዚ ሰማዕትን ጻድቅን ይብሎ። ካብቶም ቀዳሞት አቦታት ውሩይ እዩ። መጋቢት ዕለት ፲፬ (14) ተወልደ። ንኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ ወዲ አሙኡ ወይ ወዲ ሓትንኡ እዩ። ምሉእ ዕድሚኡ አብ ገዳም እዩ ዝነብር ነይሩ። ሚያዝያ ዕለት 27 (፳፯) መንኩሰ። አብቲ ዝመንኰሰሉ ዕለት ከኣ ተሸይሙ አብ መንበረ ማርቆስ ተቐመጠ። አብዚ ዘመን'ዚ ንጉሥ መክስምያኖስ ከሓዲ ነጊሡ ስለ ዝነበረ ነዚ ጻድቅ'ዚ አጸዊው፡ ወሲዱ ንመን ኢኻ እተምልኽ ኢሉ ሓተቶ። ቅዱስ አቡነ ሲኖዳ ከኣ ከይሓፈረን ከይፈርሀን " ዓለም ንዝፈጠረ ጐይታይ ኢየሱስ ክርስቶስ ምእንታይ ናይ እሾኽ ኣኽሊል አብ ርእሱ ዝተሸከመ፡ ጎኑ ብናይ ለንጊኖስ ኩናት ዝተዋግአ፡ አብ መስቀል ዝተሰቐለ፡ ካብ ምውታት ተፈልዩ ዝተንሥአ፡ እየ ዘምልኽ" በሎ። እቲ ከሓዲ ንጉሥ ንዕለቱ አብ መሬት አውዲቹ አዕጽምቱ ክሳብ ዝስንጠቕ ብናይ ሓጺን ሰንሰለት ገሪፉ ናብ ቤት ማእሰርቲ ከእትውዎ አዘዘ። ድሕሪኡ ናብ ክፉእ ሽታን ጨናን ዘለዎ ቦታ ወሲዶም ደርበይዎ። ቅዱስ ሚካኤል ብፍጥነት መጺኡ ናይ ክብር ኣኽሊል ተዳልዩልካ ኣሎ፡ ተዳሎ ኢልዎ ተሠወረ። ኀኻልኣይ ግዜ ውን ተገሊጹ "ኦ ሲኖዳ ካብዚ ዝገደደ ስቓይ ክበጽሓካ እዩ ግን እግዚአብሔር ኣምላኽ ምሳካ ስለ ዝኾነ ኣይትፍራህ" በሎ ከምዚ ኢሉ ተሠወረ።

ድሕሪኡ ካብቲ ዝነበሮ ጨናዊ ቤት ማእሰርቲ ኣውጺኡ ንሥግኡ ኣክላባት ክበልዕዎ ናብቶም ጸጽቡቑ ምግቢ ዝቐለቡ ጸሞም ኣቑንዩ ናብኡም ኣእተዎ። ማለት ኩሉ ግዜ ሥጋ ዝምገቡ ዝነበሩ። ግን ኣብ ክንዲ ምብላዉ ኣብ ከባቢኡ ጠጠው ኢሎም ጸበል እግሩ ክልሕሱ ጀመሩ። ድሕሪ ብዙሕ ስቓይ ጐይታ ባዕሉ ካብ ቤት ማእሰርቲ ኣውጺኡ "እናተዘዋወርካ ኣብ ኩተማ ስለኽ መሃር ኢሉ ኣውጽኦ። ንሱ ኣብ ኩተማ እናኣስተምሃረ እንከሎ ካብ ንጉሥ ዝተኣዘዙ ወተሃደራት መጋቢት ዕለት 14 (፲፬) ክሳዱ ብሴፍ ኣቑረጾ። ስለዚ ጻድቕን ሰማዕትን ይብሎ። "ኣብ መጽሓፈ ሲኖዳ" እዚ መጽሓፍ እዚ ኣብ ግብጺ ይርከብ። ቅዱስ አቡነ ሲኖዳ ኣብታ ዝተወልደላ መጋቢት ዕለት 14 ብሰማዕትነት ዓረፈ።

*ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።*

- ❖ ሰላም ዕብል ለሲኖዳ ሙቁሑ፤
- ❖ ውስተ ቤተ ሞቅሕ ጽዩዕ ወክፉዕ ጼናሁ፤
- ❖ ወተሰቅለ ዓዲ ለክርስቶስ በእንቲኣሁ፤
- ❖ ልዑለ እገሪሁ ወቀ-ልቀ-ሊተ ድማሁ
- ❖ እንዘ ነበልባል ይነድድ ታሕቲሁ፤

ምንጭ፦ ታሪኽ ቅዱሳን ገጽ 64፤ ስንክሳር መጋቢት ዕለት 14

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ሰማዕት ቅዱስ ቶማስ ዘመርኣስ

ቅዱስ ቶማስ ዘመርኣስ ኣብ ማእከል ዘመነ ሰማዕታት ናይ ብዙሓት ምእመናን ደም ከም ናይ ክረምቲ ውሕጅ ኣብ ዝፈሰሉ ዝነበረ፡ ናይ ዲዮቅልጥያኖስን መክስምያኖስን ዘመነ መንግሥቲ መምለኽቲ ጣዖት ዝነበረ ቅዱስ ኣቦ እዩ። ናይ'ዚ ኣቦ'ዚ ገድሊ ልሳን ደቂ ሰባት ኣንቢቡ፡ ኢድ እውን ጽሒፉ ዘይፍጽሞ ታሪኽ እዩ ዘለዎ።

ካብ ኩሉ ዝፈጸሞ ስቓይ ብከፊል ከምዚ ዝስዕብ እዩ። ቅዱስ ቶማስ ዘመርኣስ ካብ ሕፃንነቱ ጀሚሩ ኣማንን ተኸታሊ ክርስቶስን እዩ ነይሩ። ሕሩይ ንዋይ ኮይኑ ስለዝተረኽበ ናይ ሃገረ መርኣስ ኤጲስ ቆጶስ ኮይኑ ተሸመ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ሓደ ሰይጣናዊ ዝኾነ ናይ ንጉሥ ዲዮቅልጥያኖስ ተለኣኺ ንቅዱስ ቶማስ ክሰብኽን ክምህርን፡ ንሕዝቡ ብግቡእ ክኹስኩስን ኣብ ዝረኣዮ ኢዱ ኣሲሩ ብወተሃደራት እናኸትኩተ ናብቲ ርኹስ ጣዖቱ ብግዲ ስገድ፡ ንክርስቶስ ከኣ ክሓድ፡ በሎ። ቅዱስ ቶማስ “ንሓደ ኣምላኽ ኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታ ሰማይን ምድርን እንተዘይኮይኑ ንሰብ ዝሰርሐ ጣዖት ፈጺመ ኣይሰግድን እየ” በሎ።

ሽዑኡ ዲዮቅልጥያኖስ ኣዝዩ ሓረቐ፡ ብጽኑዕ ኩነኔ ክትሓዝ ከኣ ኣዘዘ። ኩሉ ግዜ ንግሆ ንግሆ ብበትሪ ክኽትክትዎ ኣዘዘ። ከምኡ'ውን ዘይታዊ ነገር እናኣውዓዩ ኣብ ኣካላቱ ንኽፍስሱሉ ትእዛዝ ኣመሓላለፈ። ፈጺሙ ንኽመውት ዘይኮነስ ንኽሳቐ ጥራይ ይደልይዎ ነበሩ። ምኽንያቱ ኮላቶም ክርስቲያን ሰኪሖም ምእንቲ ብፍርሒ ንክርስቶስ ምምላኽ ገዲፎም ንጣዖት ከምልኹ። ውዑይ ማይ ሸኽሸኽ ኣቢሎም ኣብ ኣፉን ኣፍንጫኡን ዓይኑን እዝኑን ይኽዕዉሉ ነበሩ።

እዚ ኩሉ ፈቲኖም ምእማን ከምዝኣበዮም ምስ ረኣዩ ንዓመታት ዝኣክል ንኣካላቱ (ሰብነቱ) በቢንእሽቶይ እናመተሩ ኣሳቐይዎ።

እቶም ዝምህሮም ዝነበረ ምእመናን ከኣ ዝሞተ መሲልዎም ናይ መዘከርታኡ በዓል ክገብሩ ጀመሩ። እንተኾነ ንሱስ ይሳቐን ይጋደልን ድኣ ነበረ። ሕሉፍ ሓሊፉ ንኹላቶም ከሳቕይዎ ዝመጽኡ ብጣዕሚ ስብከቱን ጸሎቱን ተመሲጠም የእምኖም ነበረ። በዚ ውን ቀኒኦም ምእንቲ ሰባት ክጸልእዎን ብእኡ ከይስለኹን ብምባል ከናፍሩን ኣፍንጫኡን ጎማሚዶም ኣብ ዝገደፍዎ ደቂ መዛሙርቱ ሒዙ በቢእብረ ኣብ ክልተ ኣእዱግ እናተጻዕነ ካብ ዓዲ ናብ ዓዲ እናኸደ ስብከቱ ቀጸለ።

ሕጂ ውን ጸላኢ ሠናያት ሰይጣን ስለዝቐንአ፡ ለይቲ ምስ ደቀሱ ኑተን ክልተ ኣእዱግ ብኣርዮሳውያን ዝኾኑ ሰባት ክሳውደን ኣቐረጸ። ቅዱስ ቶማስ ከም ዝተቐርጸ እኳ ብመንፈስ እንተፈለጠ ነቶም ደቂ መዛሙርቱ ዝኾኑ ሰባት በሉ ነዛ ዓዲ እዚኣ ምሂርናያ ኢና እሞ ናብ ዘይባጻሕናዮ ክንበጽሕ ኣእዱግኩም ጸዓኑ በሎም።

ክጽዕኑ እንተኾኑ ክልቲኦን ኣእዱግ ከክሳደን ተቐሪጸን ጸንሓኦም። ሕብሪ መልክዕ ናይዘን ኣእዱግ ከኣ ሓንቲ ፃዕዳ፡ ሓንቲ ጸላም እየን ነይረን። ኣብዚ ግዜ'ዚ እቶም ደቀ መዛሙርቱ ሞት ናይ ኣእዱግ ነገርዎ። ግዚኡ ከኣ ጸልማት እዩ ነይሩ። ቅዱስ ቶማስ ዝረኣዮ ራእይ ስለ ዝነበሮ ኣጆኩም ኣምላኽ ኩተንሥአን እዩ። ንሕና ከኣ ስራሕና ክንቅጽል ኢና እሞ ኑቲ ክሳደን ናብቲ ኣካላተን ኣላግብዎ በሎም። ጸልማት ብምንባሩ ስለ ዘየላለይወን ናይታ ፃዕዳ ናብታ ጸላም፡ ናይታ ጸላም ናብታ ፃዕዳ ኣድጊ ኣጣበቕዎ፡ (ኣላገብዎ)።። ሞይተን ዝነበራ ኣእዱግ ተንሢአን ስራሐም ካብቲ ናይ ቀደም ብዝበለጸ ቀጸሉ።እቲ ሕዝቢ'ውን በቲ ናይተን ክልተ ኣእዱግ ተኣምራት ብምርኣይ፡ ዝያዳ ኣመነ። እዚ ቅዱስ ኣቦ እዚ ብንጉሥ ዲዮቅልጥያኖስ ን22 (ፘ፪) ዓመታት ዝኣክል ምስ ተሳቐየ ርቱዓን ሃይማኖት ዝኾነ ንጉሥ ቆስጠንጢኖስ ወልደ ዕሌኒ “ኣብያተ ጣያታት ይተዓጸዉ፡ ኣብያተ ክርስቲያናት ይረሓዉ” ዝበለላ ግዜ በጺሑ። ማለት እቲ ከሓዲ ዲዮቅልጥያኖስ ተሳዒሩ፡ ብሰላም ልደት ናይ ሃይማኖት ርእዩ ሞተ።ንጉሥ ቆስጠንጢኖስ ግን ብኽብሪ ሒዙ ንምእመናን ክዝክርዎን ታሪኹ ክፈልጡን ኣወጀ።እዚ ቅዱስ ኣቦ'ዚ ካብቶም ኣብ ጉባኤ ኒቅያ ዝወዓሉ ዓበይቲ ኣቦታት ሓደ እዩ። ድሕሪ ጉባኤ ኒቅያ ግን ብዙሕ ኣይጸንሐን ብዕለት 24 (ፘ፬) ነሐሰ ብኽብሪ ዓሪፉ ተቐብረ።

***ምንጪ፡- ሰንክሳር ዕለት ፘ፬ ነሐሰ***

ናይ ኣቦና ቅዱስ ቶማስ ዘመርኣስ ረድኤቱን በረኸቱን ምስኮልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን። ኣሜን።

- ሰላም ለቶማስ ዘአባላቲሁ ግሙድ፡
- እስከ ኣስተርእየ ጎቡረ ኣምሳለ ውዑይ ጕንድ፡
- ለዝ መዋኢ በነፅሮ ገድሉ ፍድፋድ፡
- ወሰላም ለእለ ምስሌሁ ምቁሐነ ዕድ፡
- ኣእላፈ ክርስቶስ ተስኣቱ ዕልፍ በፍቅድ።

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ሰማዕት ቅዱስ ቆጵርያኖስ

እዚ ቅዱስ'ዚ መጀመርታ ጠንቂሊ፡ ከሓዲ (ዘይኣማኒ) ሓለቓ ኮሎም ጠቢባን ኣብታ ሃገር ዝነበረ እዩ። በቲ ናይ ግብሪ ጥንቆላ (ስራይ) ትምህርቱ ኣዝዩ ምኩሕ ስለ ዝነበረ ናብ ኣንጾኪያ ክኸይድ ሓሰበ። እቲ ናብ ኣንጾኪያ ክኺዶ ዝደለየ ምኽምያት ድማ ካብ ናቱ ንላዕሊ ክፋእ ትምህርቲ ዘለዎ ሰብ እንተሃልዩ ትሕቲኡ ኮይኑ ዝተረፎ ትምህርቲ ክምልእ፡ እንተ ዘየለ ድማ ኣብኡ ክምክሓሎምን ኣብ ልዕሊኦም ከቢሩ ክነብርን ብዝብል ሓሳባት እዩ።

ኣብታ ሃገር ምስ በጽሐ ድማ ወሬኡ (ዝናኡ) ኣብ ኮሉ ተሰምዐ። ሓደ መንእሰይ ወዲ ካብቶም ዓበይቲ ናይ'ታ ሃገር ነበረ፡ እዚ መንእሰይ'ዚ ንሓንቲ ጽቡቕ መልክዕ ዝነበራ ድንግል ጓል ፈተዋ። ንቤተክርስቲያን ክትከይድ ከላ ክርእያ ከሎ ልቡ ብፍቕራ ይቓጸል ነበረ። ገንዘብ ብምሃብ፡ ብምፍርራሕ፡ ናብ ጠንቈልቲ ፈውሲ (መስተፋቕር) ብምምጻእ ብካልኢ ነገራትን ክረኽባ (ክስድዓ) እኳ እንተፈተነ ፈጺሙ ግን ክረኽባ ኣይከኣለን። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ኣዕርኽቱ መጺኦም ብዛዕባ ቆጽርያኖስ ዝበሃል ብርቱዕ ሰራዱ መጺኡ ከምዘሎን ናብኡ ክኸይድን ነገርዎ። እዚ መንእሰይ'ዚ ብዛዕባ ቆጽርያኖስ ካብቶም ኣብታ ሃገር ዘለዉ ጠንቈልቲ እቲ ዝበርትዐን ዝሓየለን ምኻኑ ምስ ሰምዐ ናብኡ ከይዱ ኮሉ ድሌት ልቡ ማለት ንዮስቴና ዝተባህለት ጓል ከም ዘፍቀረ ግን ክረኽባ ከም ዘይከኣለ፡ ዝከኣሎ ንኽሕግዞ፡ ንሱ ድማ ዓስቡ ኣብዚሑ ክህቦ ምኻኑ ነገሮ። ቆጽርያኖስ ድማ ኣጆኻ ኣይትሕዘን (ኣይትሸገር) ኮሉ ናይ ልብኻ ድሌት ክፍጽመልካ እየ ኢሉ ቈጸራ ሂቡ ኣፋነዎ።

ብድሕሪ'ዚ ቆጽርያኖስ ናብኡ ንኽምጽእዋ ብሓይሊ ሥራይ ኣጋንንቲ ናብ ዮስቲና ሰደደ። እቶም ኣጋንንቲ ግን ንኽምጽእዋ ብዙሕ ግዜ እኳ እንተ ኾዱ ብጸሎታ ትከላኸል ስለ ዝነበረት ኣብ ጥቕኣ ከይቀረቡ እናተቓጸሉ ይምለሱ ነበሩ። ብዙሕ ግዜ እንተ ሰደዶም ከምጽእሉ ኣይከኣሉን። ብድሕር'ዚ ቆጽርያኖስ እቲ ዝነበሮ ክብረት ከም ዝፈኩስን እቲ ብእኡ ዝረኽቦ ረብሓ ከም ዝጐድልን ስለ ዝተራእዮ ኣዝዩ ተቈጥዐ። ንኮሎም ኣጋንንቲ ጸዊዑ ድማ "ንዮስቴና እንተዘይኣምጺኢኩምዋ ንዓኹም ሓዲገ ክርስቲያን ክኸውን እየ" በሎም።

እቲ ሓለቓ ሰይጣውንቲ ከኣ ሓደ ሓሳብ መጸ። ንቆጽርያኖስ ከይከስር ምእንቲ ሓደ ሰይጣን ከም ዮስቴና ተመሲሉ ናብኡ ክኸይድ ኣዘዘ። እቲ ዝተላእከ ሰይጣን ከምቲ ዝተኣዘዞ ጌሩ ናብ ቆጽርያኖስ ከም ዮስቴና ኮይኑ ክኸይድ ከሎ፡ ባዕሉ እቲ ሓለቓ ሰይጣውንቲ ድማ ንቆጽርያኖስ ዮስቴና ትመጽእ ኣላ ኢሉ ነገሮ። ንሱ ድማ ሓቂ ኮይኑ ስለ ዝተሰምየ ኣዝዩ ተሓጐሰ። ነቲ ብኣምሳል ዝመጸ መስሓቲ ምስ ረኣዮ፡ እንቛዕ ደሓን መጻእኺ ንግሥቲ ኣዋልድ ዮስቴና ኢሉ ቅርብ ክብል ከሎ ወዮ ሰይጣን ስማ ክጽዋዕ ምስ ሰምዐ ከም ትኪ በኒኑ ጠፍአ። እዚ ምስ ኮነ ቆጽርያኖስ ከታልልዎ ከም ዝፈተኑ ፈለጠ፡ ብልቡ ድማ ስማ ክጽዋዕ እኳ ከምዚ ኢሎም ከም ትኪ ዝበነኑስ፡ ኣብ ቅድሚኣ ቆይሞም ከስሕትዋ ደኣ ከመይ ኢሉ ክከኣሎም እዩ፡ ብምባል እቲ ንሥራይ ዝጥቀመሉ መጻሕፍቲ ኹሉ ኣቃጸሎ። እቲ ዝነብሮ ዝነበረ ሕይወት ከንቱ ምኻኑ፡ ናይ ዮስቴና ኣምላኽ ልዕሊ ኮሉ፡ እምነታ ድማ ዝለዓለ ምኻኑ ተረዲኡ ብልቡ ተጣዕሰ። ብድሕር'ዚ ናብ ሊቀ ጳጳሳት ናይ ኣንጾኪያ ከይዱ ተጠሚቑ ክርስቲያን ኮነ። ገዳም ከይዱ ድማ መንኮሰ። ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ዲቁና ቀጺሉ'ውን ክህነት ተዋህቦ፡ ብሥነ ምግባርን ብትምህርቲ ሃይማኖትን ምስ ዓበየ፡ ኣብ ቅርጣግና እትበሃል ኣብ ምዕራብ ኣንጾኪያ ትርከብ ሃገር ኤጲስ ቆጶስ ሸምዎ። ንቅድስት ዮስቴና ወሲዱ ድማ ኣብ ሓንቲ ናይ ደናግል ደብሪ ኣደ እተን መነኮሳት ሓላፊት (እመምኔት) ሸማ።

ካብዚ ጊዜ እዚ ቆጽርያኖስ ኣብ ብዙሕ ጉባኤታት ይሳተፍ ነበረ። ብፍላይ ኣብ ቅርጣግና ዝግበር ኣኼባ ንሱ ዘይብሉ ኣይካየድን ነበረ። ብድሕሪ ብዙሕ መዋዕል ዳኬዎስ ዝተባህለ ከሓዲ ንጉሥ ብዛዕብኡም ምስ ሰምዐ ልኡኺቱ ሊኢኹ ናብኡ ኣምጽኡ። ነቲ ንጉሥ ናይ ሰላም ዝኾነ ክርስቶስ ክኽሕዱ ናብቲ ጣያቶም ክሰግዱን ኣዘዞም። ትእዛዝቱ ምስማዕ ምስ ኣበዩ ግን ብዙሕ ስቓይ (መከራ) ኣሳቐዮም። ድሕሪ ብዙሕ ስቓይ ድማ ንቆጽርያኖስን ንዮስቴናን ሸዑ ንዝኣመኑ ሰባትን ርእሶም ብሰይፊ መተሮም። ዓስቢ ናይ እምነቶም ድማ

ኣኽሊል ሕይወት መንግሥተ ሰማያት ወረሱ። በረኽቶም ኣይፈለየና ኣሜን።

*ምንጪ፦ ሰንክሳር ዕለት ፷፩ መስከረም*

መጀመርታ ቆጽርያኖስ ውዕለት ኣምላኽ ረሲዑ፡ ፍቃድ ሰይጣን ዝፍጽም፡ ብትዕቢት ዝተዋጠረ ስብ እዩ ኔሩ። ደሓር ግን ኑቲ መልእኽቲ ብተዛዋዋሪ መንገዲ ኃኽምለስ ዝመዓዶ ሰሚዑ ብንሥሓ ተመሊሱ። ኣብ ክብርን ምዓርግን መወዳእትኡ ድማ መንግሥተ ሰማያት ንምውራስ ዝበቐዐ ሰብ እዩ። ምንም እኳ ከም ናቱ ብሥራይ ኣይንንበር፡ ብስርቅን ኃይላን ሓሶትን ሓሚትን መናፍቕነት ካልእ ግብሪ ሰይጣንን እናገበርና ንኣምላኽ እነሕዝን ዘለና ሰባት። (ሕዝ 18፥23) እንተርኢና ጐይታ ባህ ዝብሎ ኃጥእ ብንሥሓ ተመሊሱ ሕይወት ክረኽብ እምበር ብኃጢኣቱ ክመውት ስለዘይኮነ፡ ብዝሓለፈ ተጣዒስና ብንሥሓ ናብ ኣቦ ምሕረት ንመለስ። ንሱ ንጸርና ኣራጊፉ ዕረፍቲ ክህበና ይጽዋዓና እዩ ዘሎ። (ማቴ 11፥28-30) ቆጽርያኖስ ኃጢኣቱ ምስ ፈለጠ፡ እቲ ዝነብሮ ዝነበረ ሕይወት ከንቱ ምኻኑ ምስ ኣላለየ ኃጥእ እንድየ ከመይ ኢለ ክምለስ ብምባል ልቡ ኣየትረረን። ንሕና ግን ሕጂ ብዙሓት ኃጥእ እንድየ ከመይ ኢለ ናብ ቤተ ክርስቲያን ክኸይድ፡ ናብ ኣምላኽ ክቐርብ ንብል ብዙሓት ኢና። እቲ ለዋህ ፈጣሪና ኣብ (ማቴ 9፥12-13) “ንሓኪም ሕሙማት እምበር ጥዑያት ኣየድልይዎን እዮም። ምሕረት ድኣ እምበር መስዋዕቲ ዝደሊ ዝብል እንታይ ምኻኑ ኪዱ ተማሃሩ። ከመይ ኣነ ንኃጥኣን ናብ ንሥሓ እምበር ንጻድቃን ናብ ንሥሓ ክጽውዕ ኣይመጻእኩን”። ስለዚ ከምቲ ዝሓመመ ሰብ ናብ ሓኪም ናብ ሕክምና ከይዱ ሓኪም ረኺቡ ካብ ሕማሙ ሓውዩ ናብ ንቡር ዕዮኡ ዝምለስ፡ ንሕና'ውን ኃጢኣትና ኣሚንና ከም ቅዱስ ቆጽርያኖስ ኣብ ምድሪ በረኽት፡ ረድኤት ካብ ኣምላኽ፡ ኣብ ሰማይ ድማ ዘልዓለማዊ ሕይወት ንረክብ።

በረኽት ኣምላኹ ንቅዱስ ቆጽርያኖስ ኀኹላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይሓልወና ኣሜን።

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ሰማዕት ቅዱስ ዮሓንስ ወዲ ጸራቢ ጣያት ( ወልደ ፀራቢ)

ሰማዕት ቅዱስ ዮሓንስ ሃገሩ ነነዌ ኮይኑ ኣቡኡ ኣምላኺ ጣያትን ጣያት ጸረቡ ዝሸይጥን ነበረ። ስሙ “በርጣሌ” ይብሃል። ከምዚ እናበለ ማለት ጣያት ጸጸረቡ እናሸጠ ንዓ ሠርተ (10) ፲ዓመት ዝኣክል ጸንሐ።

ኣዲኡ ግን ብናይ ሓዋርያ ታዴዎስ ስብከት ኣሚና፡ ንሰብኣያ ከይነገረት ንኃሙሽተ 5 (፭) ዓመት ዝኸውን ክትነብር እንከላ ውላድ ኣይረኽበትን። ውላድ ኀኽሀባ ከኣ ለይትን መዓልትን ንእግዚኣብሔር ትልምን ነበረት። ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ከኣ ሓደ ቅዱስ ውላድ ናይ እግዚኣብሔር ሰማዕት ወይ ምስክር ዝኸውን ከም እትወልድ ብራዕይ ተገልጸላ።

በቲ ዝረኣየቶ ራዕይ መልክዕ ከኣ ቅዱስ ዝኾነ ወዲ ወለደት። ስሙ “ ሕቡእ ዮሓንስ” ኢላ ኣውጽኣትሉ። ኣቡኡ በርጣሌ ከኣ ብወገኑ “ ወዲ ኣማልኽቲ” ብዝብል ትርጉም ዘለዎ ስም ኣውጽኣሉ። ክሳብ ወዲ ሸሞንተ ዓመት ዝኸውን ብጽቡቕ ኣተዓባብያ ኣዕበየቶ።

ድሕሪኡ ኣቡኡ በርጣሌ ነቲ ዝጸረቦ ጣያት ክሸጠሉ ናብ ዕዳጋ ይልእኮ ነበረ። ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመት ከምቲ ልማዱ ጣያት ክሸይጥ ኣብ መንገዲ ክኸይድ እንከሎ መልኣኽ እግዚኣብሔር ተገሊጹ ናበይ ይኸይድ ከምዘሎ ድሕሪ ምሕታቱ፡ ኣምላኽ ሓደ እግዚኣብሔር ንበይኑ ጥራይ ከምዝኾነ ጣያት ግን ናይ ሰይጣን መሕደሪ ምኻኑ ነገሮ። ንግዚኡ ከኣ ነቲ ሒዝዎ ዝነበረ ጣያት ወርዊሩ ሰንደዎ (ደርበዮ)።

ናብ ገዛ ምስ ኣተወ ኣቡኡ ሽያጥ ናይቲ ጣኦት ገንዘብ ሃበኒ እንተበሎ “ ኀኹሉ ዝፈጠረ ሓደ እግዚኣብሔር እንተዘይኾይኑ ካልእ ኣምላኽ የለን” በሎ። ኣቡኡ “ እዞም ርጉማት ክርስቲያን ብሥራዮም (ብጥንቁልናኦም) ከየታልሉኻ ተጠንቀቕ” በሎ። ቅዱስ ዮሓንስ ግን “ ናትካ ጣያት ናይ ኣጋንንቲ መሕደሪ እዩ። ስለዚ ኣነ ናብ ጣያት ኣይሰግድን እየ” ኢሉ ብምምላስ ኣቡኡ ባዕሉ ንወዱ ኣሰሮ።

ኣዲኡ ናይ ወዳ ጽንዓት፣ እምነት ሰሚዓ ብጣዕሚ ተሐጎሰት። ናብቲ ተኣሲሩሉ ዘሎ ቦታ ከይዳ “ እዚ ወደይ” በዛ ዘለኻያ ጽናዕ፡ በርትዕ፡ ኣይትፍራህ እቲ እንኣምኖን እነምልኾን ኢየሱስ ክርስቶስ እውን እኮ ኣብ ኣደባባይ ተገሪፉ፡ ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ሞት ጥዒሙ እዩ።
ስለዚ እቶም ብመከራ ንዕኡ ዝመስሉ ብዑዓን እዮም ብምባል ብጠቕላላ ናይ ቀራንዮ ውዕለት እናዘርዘረት ብዝበለጸ ኣጸናንዓቶ። ዮሓንስ “ ኦ ኣደ” ኣቦና ኣብርሃም ይስሐቅ ወዱ፡ መስፍን ዮፍታሄ ጓሉ ንመስዋዕቲ ከምዘቕረቡ ኣነ ከኣ ከም ዮፍታሄ ስደተኛ እየ ” በላ።
ኣብዚ እዋን'ዚ ክሳዱ ሒዛ ድሕሪ ምስዓም ካብኡ ተፈልያ ከደት። ንጽባሒቱ ኣቡኡ መጺኡ ካብቲ ዝተኣስረሉ ቤት ማእሰርቲ ኣውጺኡ ኣብ ኣደባባይ፡ ኣብ ቅድሚ ብዙሓት ሕዝቢ ደው ኣቢሉ ንክርስትና ከም ሓደ ዓቢ በደል ወይ ጌጋ ቈጺሩ ኸሰሶ። እቶም ካልኦት እውን ደጋጊሞም እንተሐተትዎ “ ነዞም ስፍራ ኣጋንንቲ ዝኾኑ ጣያታትኩም ኣይሰግድን እየ ብምባል ገሊጹ ” መለሰሎም። ሽዕኡ ኣቡኡ ብሕርቃን በቲ ሒዝዎ ዝነበረ መጻረቢ ምሳር ክሳዱ ዘበጦ። ካብ ክሳዱ ደም ውሒዙ ኀኩሉ ኣካላቱ ሓጸቦ። ኣዲኡ ውን ቅርብ ኢላ በቲ ናይ ወዳ ደም ተሐጽበት። ፈጣሪኣ ከኣ ኣመስገነት።
ዮሓንስ ወዲ ጸራቢ ወዲ ዓሠርተው ኃሙሽተ ዓመት ከሎ ብሰማዕትነት ዓረፈ። ኣዲኡ ካህናትን ምእመናንን ኣኪባ ኣብታ ብሰማዕትነት ዝዓረፈላ ቦታ ቐበረቶ። ኣቡኡ ወዱ ድሕሪ ምቕታሉ ሰላም ስለ ዝሰኣነ እቲ ዝፈጸሞ ክሕደት ክስምየ ጀመረ። ካብዚ ዝተላዕለ ዘውድቕ ሕማም ሓዞ። ቀጺሉ'ውን ናይ መወዳእታ ስለ ዝዓበደ ኢደ እግሩ ተኣሲሩ ዝነብር ኮነ።
ኣደ ሰማዕት ዮሓንስ ግን ነቲ ዝዓበደ በዓል ቤታ ሒዛ ኣብቲ ደም ወዱ ዝፈሰሶን ዝተቕብሮን ቦታ ወሰደቶ። ኣብኡ ደው ኢላ “ ወደይ መዓረይ ነቦኻ ከም ማንም ጌርካ ኣይትሕሰቦ። ዋላ እኳ ካብ መንፈስ ቅዱስ ዝረሓቕ እንተኾነ ሽለል ኣይትበሎ።
“ነቲ ብስሙ ሰማዕትነት ዝተቕበልካሉ ኣምላኽ ኢየሱስ ክርስቶስ ናብኡ ኀኽስሕቦ ለምነሉ” ኢላ ጸለየት።
ንሳ “ ኦ ጐይታይ ኢየሱስ ክርስቶስ ፍጡርካ ክድሕን ደኣ እምበር ከይጠፍእ ኣብ ልዕሊ መስቀል ተሰቒልካ ኢኻ። ስለዚ በዚ ዝፈሰሰ ደም ወደይ እምሕጻነካ ኣሎኹ። በዓል ቤተይ ናብኻ ከይተመልሰ ከይሞተኒ” በለት። ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ኣብኡ ሓዲሩ ዝነበረ ሰይጣን “ ኣነ ኣብ ልዕሊ ጣያት ሓዲረ ኩሎም ሰባት ከም ዝሰግዱለይ እገብር ነበርኩ። ኣብ ሰብኣይኪ'ውን ሓዲረ ንዮሓንስ ወድኺ ኣቕተልክዎ። ሕጂ ግና ብዮሓንስ ወድኺን ብናትኪ ጸሎትን ካብኡ ወጻእኩ። መዕለቢ ከኣ ሰኣንኩ ብምባል ጨዲሩ ለቐቐ።
ሽዑ ካብዚ ግዜ'ዚ ኣትሒዙ ጽሩይ ኣማኒ ኮነ ጽንዓት ክብርቲ በዓልቲ ቤቱ ከኣ ኣዝዩ ኣደነቐ። ንድሕነቱ ምኽንያት ስለ ዝኾነቶ'ውን ኣመስገና። ንእግዚኣብሔር ከኣ ብዝገበረሉ ምሕረት ኣመስገኖ።
ናይ ነነዌን ኣሶርን ንጉሥ ሰናክሬም ምስ ሞተ ብናቱ መተካእታ ኔሮን ዝተባህለ ከሓዲ ተተክአ። ዋና ከተምኡ ከኣ ንጽቢን ኣብ ዝተባህለት ሃገር መሥረተ። ንጽቢን ንምብራቕን ምዕራብን ሃገራት ማእከል እያ።

## ህንጸት ቤተ ክርስቲያን ወልደ ጸራቢ ዮሓንስ

ንጉሥ ኔሮን ሠለስተ ናይ ቀረባ ፈተውቲ ነበርዎ። ንሳቶም ከኣ ኩሉ ምሥጢሩ ዘካፍሎም ዘጸናንዕዎ፡ ዘማኽርዎ፡ ምስኡ ሓቢሮም ዝምገቡ፡ ናብ ዝኸዶ ዝኸዱ እዮም። ሃይማኖቶም ግን ዝተፈላለየ እዩ ነይሩ። እቲ ሓደ ክርስቲያን፡ እቲ ካልኣይ ኣይሁዳዊ፡ እቲ ሣልሳይ ድማ ኣረማዊ ነበሩ። እቲ ንጉሥ ኩሉግዜ ንግሆ ንግሆ ኣብ ፈረስ ተወጢሑ ክሳብ ሰዓት ሠለስተ ከተማ ተዛዊሩ ምስ እዞም ሠለስተ መግቡ ይምገብ ነበረ። ክሳብ ክልተ ዓመት ተኸምዚ መልክዕ ጸንሐ። ድሕሪኡ እቲ ኣይሁዳዊ ኣብ ልዕሊ እቲ ክርስቲያናዊ ብቕንዓት ተላዒሉ “ ኣብቲ እንበልያን እንሰትዮን እናኣማዕ ተበ እዚ ክርስቲያናዊ ሥራይ (ፈውሲ) እናገበረልና እዩ” ኢሉ ከሰሶ። እቲ ንጉሥ ከኣ ኀኸየማዕትብ ከልከሎ። እቲ ክርስቲያናዊ ንሓደ ዓመት ዝኣክል ምምዕታብ ኣቋረጸ። ሽዑ

ድሕሪ ሓደ ዓመት “ማራራ” እትብሃል ሃገር ዝገዝእ ዝነበረ ንጉሥ፣ ንናይ ንጉሥ ኔሮን ግዝኣት ንጽቢን'ውን ምስኣ ሓዊሱ ክገዝኣ ስለዝደለየ ነቲ ናይ መግቢ ኃላፊ ንንጉሥ ኔሮን ብመርዚ ኽቕቶትለሉ ዓሠርተ ሽሕ ዲናር ለኣኸሉ። እቲ ናይ መግቢ ኃላፊ ከኣ ገንዘብ ስለ ዝተቐበለ ንንጉሥን ነቶም ምስኡ ዝምገቡን መርዚ ዝኣተዎ መግቢ ከቕርበሎም እንከለ መልኣኽ ነቲ ክርስቲያን ተገሊጹ “ ሎሚ መዓልቲ ከይፈራሕካ ኣብ ልዕሊ እቲ መግቢ ብትእምርተ መስቀል ከም ቀደምካ ኽትማዕትብ ካብ ጐይታይ ኢየሱስ ክርስቶስ ተኣዚዝካ ኢኻ” በሎ።

እቲ ክርስቲያናዊ የማናይ ኢዱ ዘርጊሑ ኣብ ልዕሊ'ቲ መግቢ ኣማዕተበ ብልቡ ከኣ *“ በስመ አብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሐዱ አምላክ ”* ይብል ነበረ። ከማዕትብ እንከሎ ግን ዝረኣዮ ሰብ ኣይነበረን። እቲ መግቢ ከኣ ሕብሩ ቀይሩ ከም እምኒ ረግአ።

እቲ ንጉሥ ኽበልዕ ኢዱ ናብቲ መግቢ እንተዘርግሐ እቲ ክርስቲያናዊ ኽይበልዕ ከልከሎ። እቲ ክርስቲያናዊ ንጉሥ እናረኣዮ ነቲ መግቢ ኽልቢ ሃቦ። እቲ ኽልቢ ንዕለቱ ከረው ኢሉ ሞተ። እቲ ንጉሥ ደንጊጹ እንታይ እዩ ኮይኑ ኢሉ እንተሓተቶ። “ ሎሚ መዓልቲ ንዓኻን ንዓናን ንምቕታል ኣብዚ መግቢ መርዚ ተሓዊሱ እዩ ቀሪቡልና ነይሩ” በሎ። እቲ ንጉሥ ደጊሙ “ ከመይ ጌርካ ፈሊጥካ ” በሎ። እቲ ክርስቲያናዊ ጐይታይ ኢየሱስ ክርስቶስ ንሰኻን ንሕናን ምእንቲ ከይንመውት ኢሉ ገሊጹለይ” በሎ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ንጉሥ ነቲ ኣቐዲሙ ኽነየማዕትብ ኣኽልኪልዎ ዝነበረ ኣይሁዳዊ “ እቲ ክሲ ሓሶት እዩ። ብትእምርተ መስቀል ምምዕታቡ ንዓና ድሕነት ድኣ እምበር ንጥፍኣትና ኣይኮነን” ኢሉ ካብ ሥልጣኑ ሰዓሮ። ነዚ ዝተገብረሉ ተኣምራት ርእዩ ብክርስቶስ ኣሚኑ ክርስቲያን ኮነ። ስለ'ቲ ዝተገብረ መርዚ ነቲ ኃላፊ መግቢ ኣጸዊዑ ሓተቶ። ንሱ ከኣ ቃል እተወለይ እሞ ክነግረካ በሎ። እቲ ንጉሥ ከኣ ቃል ኣተወሉ። “ ዓሠርተ ሽሕ ጉቦ በሊዑ ነዚ ነገር'ዚ ዝገበሮ ንሱ እዩ ኢሉ ነገሮ።

እቲ ንጉሥ ነቲ ክርስቲያናዊ ናይ ድኅነት ምኽንያት ስለዝኾኖ፣ ካብኡ ትምህርተ ክርስትና ተማሂሩ፣ ካህናት ጸዊዑ ኣጠመቐ። ስሙ ከኣ ኣብርሃም በሎ እቲ ፈውሲ ዝገበረሉ ንጉሥ “ማራራ” ተንኪሉ ስለ ዝተገልጸ፣ ብጣዕሚ ፈርሀ። ከይቐትሎ ፈሪሁ ክቡር ዝዋጋታቶም ውህበታት፣ ሓደ ሚእቲ ኣፍራስን ሳላሳ ኣባቐልን ለኣኸሉ። ንጉሥ ኣብርሃም (ኔሮን) ግን ቂም ናይ ክርስቲያን ተግባር ስለዘይኮነ ገሊጹ ይቐረ በለሉ። እዚ ንጉሥ'ዚ ንመዘከርታ ናይ ሰማዕት ቅዱስ ዮሓንስ ወዲ ጸራቢ ቤተክርስቲያን ሰርሐ።

**<u>ኣብ መቓብሩ ዝተራእየ ተኣምር</u>**

ሰማዕት ቅዱስ ዮሓንስ ኣብ ዝተቐብረሉ ከባቢ ሓደ ነጋዳይ ኣይሁዳዊ ምስ ወዱ ጋሻ ኮይኑ ምስ ሓደረ ለይቲ ተመን ኽኪስዎ ሞተ። ኣብዚ እዋን'ዚ ኣቡኡ “ወደይ ወደይ” ኢሉ ለሸየ። ብኽያቱ ሰሚየም ብዙሓት ሰባት ዝተኣከቡ እቶም ሰባት ናብቲ ናይ ሰማዕት ቅዱስ ዮሓንስ ቤተክርስቲያንን መቓብርን ከይዱ ኽምሕጸን መኽርዎ። ከምታ ዝመኽርዎ ናብቲ መቓብር ከይዱ እንተ ተማኅፀነ መልኣኽ እግዚኣብሔር ተገሊጹ ናይ ወዱ ኣስከሬን ኽምጽእ ነገሮ። መልክዑ ግን ኣይተራእዮን እቲ ሰብኣይ ነቲ ሬሳ ወዱ ኣምጺኡ ናብ እግዚኣብሔር ተማሕጸነ።

ሽዑ መልኣኽ እግዚኣብሔር ናይ ሰማዕት ቅዱስ ዮሓንስ ጸሎት ረዲኡኻ ወደኻ ኣተንሢኡልካ በሎ። እቲ ሕፃን ከኣ ደሓነ (ሓወየ)።ንጽባሒቱ “ ናይ ክርስቲያን ኣምላኽ ወደይ ኣድሓነለይ ” ብምባል እቲ ኣይሁዳዊ ጨደረ። ምስ ወዱ ክርስትና ተቐቢሉ ተጠመቐ። ንብዘለዉ ቤተሰቡ፣ ሰበይቱ፣ ደቂ፣ ኣዝማዱ፣ ኣምጺኡ ከምዝጥመቕ ገበረ።

***ጸሎቱን በረኸቱን ናይ ቅዱስ ዮሓንስ ንኾላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይሓልወና!!!***

- ሰላም ለዮሓንስ በብሔረ ነነዌ ዘሠረቀ፣
- ከመ ማኅቶት ዘይሰድድ ጽልመተ ኃጢኣት ጽፉቀ፣
- በምሳር ኣቡሁ ኣመ ክሳዱ ነፈቀ፣
- ቀዊሞ ተርእየ በእገሪሁ እስከ በደሙ ተጠምቀ፣

- ወበድነ ሥጋሁ ውስተ ምድር ኢወድቀ።

*ምንጪ፦ ነገረ ቅዱሳን ካብ ገጽ 107-110*
*ሰንክሳር ዕለት ፳፪ ሚያዝያ*

◆ ◆ ◆

## ሰማዕታት ቅዱሳን አርብዓ ሐራ (አርብዓ ወተሃደራት)

እዞም አርብዓ ወተሃደራት “ኣብ ሃገረ ሰብጥያ ብዘመን አልፍያኖስ ንጉሥ ዝነበሩ ወተሃደራት እዮም። እዚ ናይዚአም ጐይታ ዝኾነ ንጉሥ አልፍያኖስ ኣብ ትሕቲ ንጉሥ ቈስጠንጢኖስ ዓቢ ወዲ ንግሥቲ ዕሌኒ ካብቶም ሓለፍቲ ሓደ ኮይኑ ኣብ ዝነበሮ ቦታ ኣምላኺ ጣያት ስለ ዝነበረ ነቶም ክርስቲያን ይኣስሮምን የሳቕዮምን ይቕትሎምን ነበረ። ካብቶም ወተሃደራት ውሽጢ ከኣ 40 (፵) ዝቀጽሮም ወተሃደራት በታ ቅንዕቲ ሃይማኖት ጸኒያም ኣንጻር ጣያት ክምክቱ ተሰማምዑ።

ሽዑ ናብቲ ንጉሥ ኣትዮም “ ንሕና ንሓደ ሰማይን ምድርን ኣብኡ ዘለዉን ንዝፈጠረ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ እንተ ዘይኮይኑ ነዚ ርኹስ ብኢድ ሰብ ዝተሰርሐ ጣያት ዓይኒ ከለዎ ዘይርኢ፣ እዝኒ ከለዎ ዘይሰምዕ፣ ኣፍንጫ ከለዎ ዘየሽትት፣ ኣፍ ከለዎ ዘይዛረብ እምቢ ኣይንሰግደሉን ኢና” ኣብ ዝበሉላ ለይቲ ካብ ሰማይ ናይ ነፍስ ወከፎም ኣኽሊላት (ዘውዲታት) ተራእዮም። እዚ ራዕይዚ ከኣ ኣጸቢቑ ጽንዓትን ትብዓትን ኮኖም።

ሽዑ እቲ ከሓዲ ንጉሥ ብዳርባ እምኒ ክጭፍጭፍዎም ኣዘዞም። ከምቲ ዝኣዘዞ ከኣ ወተሃደራቱ ተንሚኦም ብእምኒ ክጭፍልቕዎም ኣእማን ኣብ ዝደርበዩሎም እንደገና እቲ እምኒ ተመሊሱ ንዓኣቶም ይፈግኦምን ይወቕየምን ነበረ።

ኣብቲ ከባቢ ከኣ ሓንቲ በረዳዊትን ቈራሪትን ዝኾነት ቀላይ ብዛሕላ ብዙሕ ሰብ ዝሰክሐላ ብብዝሒ ዛሕላ ሰብ እትቕትል ነበረት እሞ ነዞም ፵ (40) ወተሃደራት ኣካላቶም ካብ ብዝሒ ኣሳሒታን ቀሩን ተበታቲኹ ክሞቱ ምእንቲ ናብኣ ከእትውዎም ንስሉባቱ ኣዘዘ። ስሉባት ከኣ ትእዛዝ ንጉሥ ስለ ዝኾነ ናይ ግድን ክፍጽሙ ተገደዱ። ኣኣተውዎም ከኣ።

ስለዚ እቲ ዛሕሊ ኣዝዩ ብርቱዕን ቀዛፍን ብምንባሩ ካብቶም ፵ (40) ወተሃደራት ሓደ መበል ፵ ኣነስ ካብዚ ቀዝሒ እዚ ጣያተይ ኣምሊኽ ብሰላም ምንባር ይሕሸኒ ብምባል ሓዲግዎም ካብታ ቀላይ ወጽኡ፣ ብሕማቕ ሞት ከኣ ሞቱ። ማለት ሞቱ ዘይተርፎ ብኽሕደት ናብ ሲኦል ዘምርሕ ሞት ሞቱ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ካብቶም ዝሕልውዎም ዝነበሩ ወተሃደራት ሓደ ነቶም 39 (፴፱) ወተሃደራት 39 (፴፱) ኣኽሊላት ተዳልየናሎም ረኣየ። ሓንቲ ኣኽሊል ግን ጠልጠል ኢላ ዝወሰዳ ስኢና ረኣየሞ እዚኣስ ኣነ ክቕበላ እየ ብምባል ኣነ እውን ብኣምላኽ እዞም 39 (፴፱) ሰባት እየ ዝኣምን እምበር ብጣያት ኣይኣምንን እየ በለ እሞ ናብቲ ናይ ሞት ፍርዲ ክዳኑ ብምውዳእ ኣተወ።

ነታ ዝረኣያ ናይ ሰማዕትና ኣኽሊል ከኣ ተቕበላ፣ ኣብዚ ግዜ'ዚ ናይ ኩሎም ወለዲ ኣዴታቶም ከምቲ ፈሪሁ ዝወጸ ፈሪሆም ምእንቲ ከይወጹ ገድሎም ብትብዓትን እምነትን ክፍጽሙ ኣኽሊል ዓወቶም ክጭብጡ ኣጆኹም ኣይትፍርሁ እናበላ የተባብዓኦምን የጸናንዓኦምን ነበራ። ንነዊሕ ግዜ ኣብታ ቀላይ ጸኒሖም፣ ምሟት ምስ ኣበዩ እቲ ጨካን ፍርሃት እግዚኣብሔር ዘይብሉ ንጉሥ ሰባቢሮም ክቕትልዎም ኣዘዘ፣ ሞቶም ብጅግንነት ፈጺሞም ምስ ሰማዕታት ተሐወሱ። እንደገና ሞይቶም ከለዉ ነቲ ሬሳኦም ብሓዊ ኣቃጺሎም ናብ ቀላይ ከጥሕልዎም ኣዘዘ። ሽዑ ብራእይ ነቲ ናይ “ሰብስጥያ” ኤጲስ ቆጶስ ንሬሳኦም ኣምጺእካ ቅበሮ ዝብል ድምጺ መጽኦ። እቲ ኤጲስ ቆጶስ ሊቃውንትን ካህናትን፣ ጳጳሳትን፣ ዲያቆናትን ኣዴታትን፣ ኣቦታት ምእመናንን ሒዙ እንተኸደ ዋላ ሓደ ከይጐደለ በርብዓኦም ሬሳኦም ልክዕ ከም ፀሓይ ኮይኑ ከብርህ ጸንሖም። ሓደ ግን ብኽሕደቱን ፍርሃቱን ጠፍኣ።

ኣብ ጽቡቕ ቦታ ዝዕጠንን ዝቕደስን ኣምጺኡ ከኣ ብኽብርን ማኅሌትን መዝሙርን ምስጋናን ቐበሮም። ብስሞም ከኣ ብዙሓት ኣብያተ ክርስቲያናት ተሃንፃሎም (ተሰርሓሎም) ንኣብነት፦ ኣብ ኢትዮጵያ። ስለዚ ካብዚ ንዓና ትምህርትን ማዕዳን ኣብነትን ዝኸውን ብሰፊሑ ተገሊጹ ኣሎ፣ ማለት

እቶም 39 (፴፱) ኣኽሊል ዓወት ክጭብጡ ከለዉ እቲ ሓደ ግን ንሓጻር ግዜ ሰኣን ምጽዋር ወዲ ገሃነመ እሳት ኮነ፡ ንዓ ለም ጣያት ከኣ ኣምለኽ። በዚ ምኽንያት ንዝኾነ ፈተና ፈረሀና ካብ እምነትናን ኣምላኽናን ሃይማኖትናን ምንቕ ክንብል ከምዘይብልና ንርዳእ።

ምጅማር ዘይኮነስ ምፍጻም ኣሎና፡ ጸሎቶምን በረኸቶምን ምስ ኮላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።

- ሰላም ለኣባልክሙ በአስሐትያ ዘነቅዐ፡
- ወለደምክሙ ዓዲ በከርሠ ቀላይ ዘረግአ፡
- ሓራ ኢየሱስ ክርስቶስ ሰማዕታት አርብዓ ፡
- እመ ኮነ ብእሲ እምኑልቀኑክሙ ውዑዓ፡
- ሥምረተ አምላክ ፀውዓ አሐደ እምአፍአ።

***ካብ ሰንክሳር ዕለት ፲፫ መጋቢት***

◆ ◆ ◆

## ሰማዕት ቅዱስ ጎርጎርዮስ ዘአርማንያ ወዘእንዚናዙ
## ሰማዕት ዘእንበለ ክዕወተ ደም
## (ነባቤ መለኮት'ውን ይብሎ)

ጎርጎርዮስ ማለት ንቁሕ ማለት እዩ። ስም ኣዲኡ ማርያም ይብሃል። ሃገሩ ቂሳርያ እዩ። ብ325 (፫፻፳፭ ዓ.ም.) ክርስትና ተቐበለ። እዚ ቅዱስ ኣቦዚ "ንጣያት ኣይስውዕን" ብምባሉ ናይ ኣርማንያ ንጉሥ ድርጣድስ ብዙሕ ኣሳቐዮ። ናብ ዓሚቕ ዝኾነ ጉድጓድ ኮኺቱ ውን ሰንደዎ። (ደርበዮ) ኣምላኽ ምስኡ ስለዝነበረ ሓንቲ ዓባይ ኣደ ዕለታዊ መግቡ ከምእተምጽኣሉ ገበረ።

ብሕይወት ምህላዉ ከይተፈልጠ ኣብታ ውሽጢ ዝኾነት ጉድጓድ 15 (፲፭) ዓመት ጸንሐ። ንጉሥ ድርጣድስ ንቅድስት ኣርሴማ ሰበይቱ ክትኮኖ ደልዩ ብናታ ምኽንያት ነቲን ደናግል ቕቲሉ ኣብ ሓደ እምባ ደርበየን። ንጉሥ ስለ እቲን ዝቐተለን ደናግል ብመልክዐንን ሥነ-ጽባቐኣንን እናሓሰበ ብፍላይ ስለ ቅድስት ኣርሴማ ብጣዕሚ ሓዘነን ተጣዕሰን።

ቤተሰቡ ካብ ዝኾኑ "ኣራዊት ክትሃድን ኣብ ፈረስ ተወጣሕ እሞ ናብ ዱር ዝኾነ በረኻ ኀኺድ እቲ ናይ ልብኻ ሓዘን ከኣ ክጠፍኣልካ እዩ" በልዎ። ናብ ዱር ሃድን ወፈረ። ንዕለቱ ሰይጣን ሐዲርዎ ዝናኸስ ኮነ። ነቶም ወገናቱ እውን ኀኸሶም። እግዚኣብሔር መልክዑ ቀይሩ ከም ሓሰማ ገበሮ። ዝረኸቦ ዘበለ ኩሉ ክነክስ ጀመረ። ኣብ ቤተ መንግሥቲ ንዝርከቡ ሰባት ብብዝሒ ሰይጣን ሓደሮም። ዓቢ ፍርሓት ከኣ ኾነ። እዚ ኹሉ ዝኾነ ከኣ ስለ እተን ቅዱሳት ደናግል በዓል እኒ ቅድስት ኣርሴማ እዩ።

እታ ሓብቲ ንጉሥ "ንቅዱስ ጎርጎርዮስ ካብቲ ዘለዎ ጉድጓድ እንተዘይኣዉጺእኩምዎ ድሕነት ዝብሃል የብልኩምን" ዝብላ ሰብ ብራዕይ ርእያ ኀኸባቢኣ ነገረት። ንሱ ኣቐዲሙ ኣብቲ ጉድጓድ ዝሞተ መሲልዎም ደንገጹ (ሰንበዱ)። ሽዑ ናብቲ ጉድጓድ ከይዶም ገመድ እንተ ወርወሩሉ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ነቲ ገመድ ብኢዱ ሒዙ ወጸ። ሓጺቦም ጽሩይ ክዳን ከዲኖም ብበቐሊ ናብ ቤተ መንግሥቲ ኣብጽሕዎ። ሽዑ ብሰማዕትነት ዝሞቱ ደናግል ሐተተ። ንሳቶም ኣብ ናይ ደናግል ሥጋ ዘለዎ ቦታ ኣብጽሕዎም። ናይ ዱር ኣራዊትን ኣዕዋፍን ከይበልዎም ብደሓን ረኸቦም። ብናቱ ትእዛዝ ጽቡቕ ቦታ ኣዳልዮም ኣብ ውሽጢ ኣንበርዎም። ነቲ ንጉሥ ውን ክፍውሰሎም ስለዝለመንዎ ናብቲ ዘለዎ ዱር ከይዱ "ካብ ክፉእ ሓሳባትካ ተመሊስካ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ትኣምን ዲኻ፡" እንተበሎ፡ ኣብ ክንዲ እዉ ማለቱ ርእሱ ነቕነቕ ኣበለ። ( ማለት ኣፉ ስለዝተዓጽወ)

ጸሎት ጌሩ ካብቲ ንጉሥ ሓሰማ ዝመስል ሰይጣን ኣውጽኣ። ኣእምሩኡን መልክዑን ከኣ ተመልሰሉ። ንምልክት ክሽውን ናይ ሓሰማ ጽፍሪ ኣብ እግሩ ተረፈ። ቅዱስ ጎርጎርዮስ ኀኻልኦት ኣብ ቤተ-መንግሥቲ ዝነበሩ ሕሙማት'ውን ፈወሶም።

ሕዝቢ ኣኪቡ ሥርዓት ሠሪዑ 60 (፷) መዓልቲ ክጾሙ ኣዘዞም። ብግቡእ ስለ ዘስተምሃሮም ናይ ክርስትና እምነት ተኸተልቲ ኮኑ። ጥምቀተ ክርስትና ከጠምቐም'ውን ለመንዎ። ንሱ ኣነ ካህን ስለዘይኮንኩ ኣይግብኣንን እዩ። ግዳ ካህን ክሰደልኩም ናብ ናይ ሮማ ሊቀ ጳጳሳት ልኡኻት ለኣኹ

በሎም። ሽዕኡ እቶም ሕዝቢ ናብ ንጉሥ ኣኖሬዎስን ሊቀ ጳጳሳትን ልኡኻት ለኣኹ። እቶም ሕዝቢ ኣርማንያ ናብ እግዚኣብሔር ከም ዝተመልሱ ኣረድእዎም። ንሳቶም ሰሚየም ተሐጐሱ።

እቲ ናይ ሮማ ሊቀ ጳጳሳት ንቅዱስ ጎርጎርዮስ ጸዊዑ ሊቀ ጳጳሳት ሽይሙ ናብ ንጉሥ ድርጣድስ ናይ ኣርማንያ ንጉሥ ተኽብሪ ለኣኾ። ንሱ ንሕዝቢ ኣርማንያ ኵላቶም ኣጠመቐም። ብስም ቅድስት ድንግል ማርያም ከኣ ጽብቕቲ ቤተክርስቲያን ሰርሓሎም። ብሃይማኖት ምስ ኣጽንያም ጽቡቕ ጌሩ ይኣልዮም ነበረ። *“ነባቤ መለኮት ዘእንዚናዙ ወዘተሰይመ ሊቀ ጳጳሳት በሃገረ ቍስጥንጥንያ”* ይብሎ። መጻሕፍቲ ብምድራሱ ካብቶም (፳፬) 24 ምድራውያን መላእኽቲ ተባሂሎም ዝጽውዑ ቅዱሳን ኣቦታት ሓደ እዩ።

ኣብ ቀዳማይ ዕድሚኡ በዓል ሕጊ እዩ ነይሩ። እቲ ከሐዲ መቅደንዮስ ብውግዘት ምስ ተሰጉ ዕለት 1 (፩) የካቲት ሊቀ ጳጳሳት ተሾመ። ኣብ ሃይማኖተ ኣበው ኣብ ምዕራፍ 8 (፰) ገጽ 210 (፪፻፲) ስለ ናይ ጐይታ ሓድነትን፡ ሠለስትነት ምድሓንን ጠቅላላ ስለ ነገረ መለኮት ዝምልከት ብግቡእ ዝመሃረ ኣቦ እዩ። ነገረ መለኮት ብብዝሒ ብምምሃሩን ምድራሱን *“ዳግማዊ ዮሓንስ ነባቤ መለኮት”* ተባሂሉ ይስመ።

ከምኡ'ውን ኣብ ሃይማኖተ ኣበው ገጽ 422 (፬፻፳፪) ስለ መለኮትን ሥጋን ኣስፊሑ ጽሒፉ ይርከብ።

ኣብ መዋዕለ ሲመቱ 33 (፴፫) ዓመት ጸንሐ። ቅዱስ ጎርጎርዮስ ንናይ ኣርማንያ ኦርቶዶክስ ዘቕንዐ ዓቢ ኣቦ እዩ። መንበረ ጵጵስናኡ ኣብታ ናይ ኖኅ መርከብ ዝዓረፈትላ እምባ ዓራራት (ሉባር) ሰሪሑ ዝነበረ ኣቦ እዩ። ጉዕዝኡ ምስ ፈጸመ ብሰላም ዓረፈ። ናይ ቅዱስ ጎርጎርዮስ በረከቱ ይብጽሓና።

*ምንጪ፦ 1. ሰንክሳር ዕለት ፴ ጥር*

*2. ታሪኽ ቅዱሳን ፲፱፻፺፯ ዓ.ም.ግ. ኦ.ኦ.ኢ*

*3. ነገረ ቅዱሳን ገጽ ፻*

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ሰማዕት ቅዱስ በአሚን ሰማዕት ዘእንበለ ደም (ብዘይ ምፍሳስ ደም)

እዚ ቅዱስ ኣቦ'ዚ ኣብ ደቡብ ግብፂ እስሙናይን ዝተባህለ ዞባ (ኣውራጃ) ብፍላይ ከኣ ኣብ ከባቢ ሃገረ ቴርስ ካብ ዝኾኑ ካብ ዓሌት ሐጺብ ዝውለዱ ዓሌት እዩ። ናይ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ መጋቢ ኮይኑ ክነብር እንከሎ ብንጽሕናኡ ይኹን ብኹሉ ስርሑ ፍትዊ ኮይኑ ተረኽበ። እታ ሰይቲ እቲ ሃብታም ሰብኣይ ትኣምኖን ትፈትዎን ነበረት። ንሱ ግን ናይ ዓለም ከንቱነት ሐሲቡ ኣብ ሓደ ገዳም ከይዱ መንኮሰ። እቲ ሃብታም ምስ ሰበይቱ ጕህዩ ኣባ በአሚን ናብ ዘለዎ ቦታ ከይዶም ኀሸምለስ ለመንዎ። ካብ ብዝሒ ፍቕሩ ዝተላዕለ ከኣ ግዲ በልዎ።

ኣባ በአሚን “ኣነ ነፍሰይ ንእግዚኣብሔር መብጽዓ ሂበያ ኣሎኹ” በሎም። ነዚ ሰሚየም ብጓሂ ገዲፎምዎ ናብ ዓዶም ተመልሱ። ድሕሪኡ ብገድሊ እናተንቐጥቀጠ ብዙሕ ዓመታት ጸንሐ። ስለ ሃይማኖቱ መስኪሩ ኀሸመውት ሐሲቡ ናብ ከተማ ኣንዴናው ክኸይድ እንከሎ ንብዙሓት ምእመናን ከሳቐይዎም ረኣየ። ንሱ'ውን ሃይማኖቱ መስኪሩ ኣብቲ መከራ ተኻፋላይ ኮነ። ሥግኡ ብሓዊ ለብሊቦም ኣካላቱ ሰንጢቐም ኣብ ውሽጢ መንኰራኩር ኣእተውዎ። ብናይ ሓጺን በላሕቲ ዘንግታት ኣርሲኖም ተኰስዎ። ጐይታ ግን ብዘይ ጉድኣት የተንሥኡ ነበረ።

ኣባ በአሚን ኣብ ቤት ማእሠርቲ እንከሎ ርቱዓ ሃይማኖት ንጉሥ ቈስጠንጢኖስ ነገሠ። ንጉሥ ዲዮቅልጥያኖስ ዝኣሰሮም እሡራት ከኣ ፈትሑም። ጐይታ ተገሊጹ ንኣባ በአሚን ቁጽሩ ምስ ሰማዕታት ምኻኑ ነገሮ። ንጉሥ ቈስጠንጢኖስ በረኸቶም ምእንቲ ክካፈል ካብቶም ዲዮቅልጥያኖስ ኣሲርዎም ዝነበረ ፸፪ (72) ሰባት ናብኡ ከምጽኡሉ ኣዘዘ። ካብዚኣቶም ሓደ ኣባ ኖብ ክኸውን እንከሎ፡ ካልኣይ ከኣ ኣባ በአሚን እዩ።

ድሕሪኡ ካብ እስሙናይን ወጺኡ ኣብ ከባቢኣ ዘላ ገዳም ተቐመጠ። ብዝተዓደሎ ጸጋ ሕሙማት ዘሕዊ ብምኻኑ ወሪኡ ኣብ ኩሉ ተሰምዐ። ሓንቲ ኩሉ ግዜ ራዕየ ዮሓንስ እተንብበ ናይ ሮማ ንግሥቲ ነበረት። ዘንብበላ ከኣ ሓደ ፍርሃት

እግዚአብሔር ዝመልኦ ንጹሕ ዲያቆን ነበረ። ነዚ ቅኑዕ ዲያቆን ዝቐንኣሉ ሓደ ናይ ንጉሥ ተፈታዊ ናብ ንጉሥ ከይዱ “ እዚ ዲያቆን እዚ ብምንባብ ራዕየ ዮሓንስ እናኣመኽነየ ምስ ንግሥቲ ይድቅስ ኣሎ” ኢሉ ብሓሶት ከሰሶ። ምክንያቱ ምስታ ንግሥቲ ጽቡቕ ሃይማኖታዊ ፍቕሪ ዝገበረ እሞ ንዕኡ ከየውጽኦ ፈሪሁ እዩ።
እቲ ንጉሥ ብቑጥዐ፣ ንግሥቲ ናብ ዘላቶ ኣትዩ ነቲ ራዕየ ዮሓንስ ዘንብብ ዲያቆን ምስ መጽሓፉ ናብ ባሕሪ ከስጥምዎ ኣዘዘ። ክልተ ሰባት ኣብ ሓንቲ ንእሽቶይ ጃልባ ጽዒኖም ወሲዶም ናብ ማእከል ባሕሪ ወርወርዎ። ንግዚኡ ብርሃን ዝተኸድነ ሰብኣይ ካብ ሰማይ ወሪዱ ነቲ ዲያቆን ምስ መጽሓፉ ጌሩ መንጢሉ ወሲዱ ኣብ ሓንቲ ደሴት ኣንበሮ። እቶም ዝደርበይዎ ሰባት እቲ ዝኾነ ነገር ርእዮም ብኣድናቕት ተመልሱ። እቲ ዝረኣይዎ ግን ንንጉሥ ኣይነገርዎን። እታ ንግሥቲ በዚ ነገር'ዚ ጉህያ ሐመመት። ከብዳ ቀሲለ ንኺ (15) ዓመት ጸንሐት። ብዙሓት ፈወሰትን ሐካይምን ካብ ሕማማ ከድሕንዋ ኣይከኣሉን። ሓደ ፈላጥ ሰብ “ኣብ ሃገር ግብጺ ናብ ዝርከቡ ቅዱሳን እንተ ትኸዲ ካብ ሕማምኪ ምሓወኺ ኔርኺ” ስለዝበላ ብዙሓት ሠራዊት ኣኸቲላ ከደት። ገዳማትን ኣብያተ ክርስቲያናትን እኳ እንተ ኾለለት ክትሓዊ ኣይከኣለትን።
ናብ ከተማ እንዴናው ምስ ከደት እቶም መኪንንቲ ተደነቑ። ንሳ ኩሉ ሽግራ ነገረቶም። ንሳቶም ናብ ኣባ በኣሚን ክትከይድ ከምዘለዋ ሐበርዋ። ንዕለቱ መርከብ ተሰቒላ ኣብቲ ኣባ በኣሚን ዝርከበሉ ገዳም በጽሐት። “ ኣባ በኣሚን በረኸት ደልያ ንግሥት መጺኣ ኣላ ” እንተበልዎ “ ምስ ናይ ምድሪ ንግሥቲ ንዓይ እንታይ ኣሎኺ” ኢሉ ምውጻእ ኣበየ። ድሓር በቶም መነኮስ ጽኑዕ ዝኾነ ልማኖ ምስ ቀረበሉ ወጽኣ። ምስ ረኣየቶ ኣብ እግሩ ወዲቓ ሰገደትሉ። ንሱ ብዘይቲ ጸልዩ እንተቕብኣ ንዕለቱ ሐወየት። ድሕሪኡ “ ብምክንያት እቲ ዲያቆን እዚ ኩሉ ከም ዝበጽሐ ከኣ ፈለጠ። ንሱ ግን ኣብ ሓንቲ ደሴት ብሕይወት ይነብር ኣሎ። እቲ ዘንብበልኪ ዝነበረ መጽሐፍ ራዕየ ዮሓንስ እውን ክሳብ ሕጂ ምስኡ ኣሎ” በላ። ንግሥቲ ሰሚዓ ብጣዕሚ ተደነቐት መንፈሳዊ ሐጐስ ከኣ ተሰምዓ።
ስለ እቲ ዲያቆን ይኹን ስለ እቲ ካብ ሕማማ ዘሕወያ ኣምላኽን ኢላ ብዙሕ ኣምኃ ኣቕረበት። ንሱ ግን ንዋያተ ቅድሳት እንተዘይኮይኑ ዋላ ሓንቲ ገንዘብ ኣይተቐበላን። ድሕሪኡ ንእግዚአብሔር እናኣመስገነት ናብ ሮማ ሃገራ ተመልሰት። ዝኾነ ኩሉ ንንጉሥ ነገረቶ።
እቲ ንጉሥ ብጣዕሚ ተደኒቑ፣ ነቲ ዲያቆን ዝደልዩ ልኡኻት ብምልኣኽ ኣብ ውሽጢ ደሴት ብሕይወቱ ረኸብዎ። እቲ መጽሐፍ'ውን ምስኡ ጸንሐ። ተመሊሶም ንንጉሥ ነገርዎ። ኀላልኣይ ግዜ ናብኡ ክመጽእ ብብዙሕ ልመና ልኡኻት ሰደደሉ። እቲ ዲያቆን ፈቓደኛ ኮይኑ ምስ መጽአ፣ ዓቢ ሐጐስ ገበረ። ኣብ ትሕቲ እግሩ ወዲቑ “ኣባኻ ስለ ዝፈጸምክዎ ጌጋይ ይቕረ በለለይ” በሎ። እቲ ዲያቆን “ ብሓደ ኀኹላትና እግዚአብሔር ይቕረ ይበለልና” በሎ። ድሕሪኡ እቲ ዲያቆን ኣብ ሮማ ሊቀ ጵጵስና ተሸመ። ነታ ምስኡ ዝነበረት መጽሐፍ ራዕየ ዮሓንስ ከኣ ተርጕመሎም።
ቅዱስ ኣባ በኣሚን ለይትን መዓልትን ብዘይ ዕረፍቲ ተጋደለ። ኣብ ከባቢኡ ከኣ ሓደ ቅኑዕ ኤጲስ ቆጶስ ነበረ፣ ኣብ ሓንቲ ናይ ሰማዕታት ገዳም ምስ ማኅበረ ምእመናን በዓል ክገብር እንከሎ ኣርዮሳውያን ንርእሶም ሓደ ሓሳዊ ኤጲስ ቆጶስ ሐዞም ነቲ ሕዝቢ ከስሕትዎ ጀመሩ። እዚ ኤጲስ ቆጶስ እዚ ናብ ኣባ በኣሚን መጺኡ ምኽሪ ሐተተ። ኣባ በኣሚን ምስቲ ሕዝቢ ኮይኑ ድሕሪ ምጽላይ ሓንቲ ነዋሕ በትሪ ብኢዱ ሓዘ። ኣባትሮም ሒዞም ናብዞም ከሓድቲ ከዱ። እቶም ከሐድያን ምስ ረኣይዎም ሃዲሞም ተበተኑ። ድሕሪኡ ኀላልኣይ ጊዜ ናብቲ ቦታ ኣይተመልሱን። ምክንያቱ ፈጣሪ ምክሮምን ሓሳባቶምን ስለ ዝበተነሎም።
ኣባ በኣሚን ኣጸቢቑ ምስ ዓረገ ንሞት ዘብጽሕ ሕማም ተታሕዘ። ነቶም መነኮሳት ኣኪቡ ዝሞተሉ ግዜ ከም ዝቐረበ ነገሮም። ኣጸናንየም ከኣ ነፍሱ ንፈጣሪኡ ሃበ። እቶም መነኮሳት ብግቡእ ገኒዞም ብኽብሪ ቐበርዎ። ብእምነት ናብ መቓብሩ ዝኸደ ኩሉ ይድሕንን ሓሳብ ልቡ ይሠምረሉን ነበረ።

*ናይ ቅዱስ ኣባ በኣሚን በረኸቱ ይሕደረና ኣሜን።*

**<u>ዕለተ ዕረፍቱ</u>**

ቅዱስ ኣባ በኣሚን ዕለት 9 (፱) ታኅሣሥ እዩ ስንክሳር ተመልከት።

- ሰላም ለከ በኣሚን ስኩብ፡
- በዓራተ ሐፂን ልሁብ፡
- ለእንለ ማውታ ቀዋሚ ወለመዓስብ፡
- ወሰላም ካዕበ ለእለ ምስሌከ በመከራ ወጸሕብ፡
- በእንተ ክርስቶስ ሙቁሐን ሕዝብ።

✠ ✠ ✠

## <u>ታሪኽ ሰማዕት ቅዱስ ኤዎስጣቴዎስ (ቂዶስ) ዘርእዮ በኣቅርንተ ኃየል</u>

እዚ ቅዱስ'ዚ ካብቶም ናይ መንግሥቲ ሮም ኃለፍቲ ሓደ ኾይኑ ብዛዕባ እግዚኣብሔር ኣፍልጦ ኣይነበሮን። ይኹን እምበር ልክዕ ከምቲ ናይ ቆርኔሊዎስ ንድኻታትን፡ ንነዳያትን ምጽዋት ምሃብ ይፈቱ ነበረ። ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ኣባ በረኻ ሃድን እናሃደነ እንከሎ እግዚኣብሔር ዓስቢ ፃማኡ ከንቱ ክተርፍ ስለ ዘይፈቐደ " *መኣሐተ ዕለተ ኣስተርእዮ ኣምላለ መስቀል ማእከለ ኣቅርንቲሁ ለጎየል ወመሰቀልሰ ይበጽሕ እስክ ደመና መሰደዶ ውሱተ ኣድባር ከመ ይቅትሎ ወይንዐዎ*" ኣባ ሞንጎ ክልተ ኣቅርንቲ ጤለበዱ ክሳብ ደበና ዝበጽሕ ቁመት ትእምርተ መስቀል ኮይኑ ኣርኣዮ እቲ ጤለበዱ ኀቨቐትሎ ገዮየዮ። ኣባ ሞንጎ እቲ ክልተ ኣቅርንቲ ኮይኑ ስምካ መን እዩ፧ ኢሉ ሓተቶ፡ ከምዚ ኢሉ'ውን ኣዘዞ። ብምሉእ ስድራ ቤቱ ናብቲ ናይቲ ሃገር ኤጲስቆጶስ ወሲዱ ጥምቀተ ክርስትና ክቐበልን መከራ መስቀል ከምዘጋጥሞን ኣረድኣ።

እዚ ነገር'ዚ ምስ ሰምዐ ካብቲ ዝነበሮ ሃድን ብቐልጡፍ ናብ'ቲ ኤጲስቆጶስ ከይዱ ንሱን ስድርኡን ጥምቀተ ክርስትና ተቐበለ። ቂዶስ ዝብል ዝነበረ ስሙ <u>**ኤዎስጣቴዎስ**</u> ብዝብል ስም ተተክኣ። ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ብዘለሎ ንብረቱ፡ ኣገልገልቲ፡ ጥራቱ ተወዲኡ ንስድራ ቤቱ ሒዙ ብስደት ናብ ሃገረ ሮሜ ክኸይድ ኣብ መርከብ ተጻዕነ ንመስቀሊ መርከብ ዝኸውን ገንዘብ ኣይነበሮን። ኣብቲ መርከብ እትዓርፈሉ ደሴት ምስ በጽሐ ገንዘብ ስለዘይከፈለ ኣምሳያ ገንዘብ ንሰበይቱ ሐዝዋ። ብድሕሪ'ዚ ነቶም ክልተ ደቁ ሒዙ ብቐልእ መንገዲ ናቲ ሓደ ወዱ ኣሳጊርዎ ናብቲ ካልኣይ ምስ ተመልሰ ብኹላ ስለ ዝበልያ ክረኽቦ ኣይከኣለን። ነቲ ዘሳገሮ'ውን ኣንበሳ ወሓጠ እሞ ዓቢ ሓዘን ኃዘነ። መንክር እግዚኣብሔር ግን ንሠለስቲኦም በብዘለዉዎ ብዘይ ሓደ ጉድለት ዓቀቦም።

ብድሕሪ'ዚ ናብ ሓንቲ ሃገር ከይዱ ኃላፊ ናይ ሓደ ዞባ ኮይኑ ንነዊሕ ግዜ ኣገልገለ። እቲ ኣብቲ ሃገር ዝነበረ ንጉሥ ሞተ እሞ ንኤዎስጣቴዎስ ፈታዊኡ ዝኾነ ንጉሥ ነገሠ። ብወተሃደራት ደልዩ ኣምጺኡ ናብቲ ናይ ቀደም ክብሩ መለሶ። እቲ ንጉሥ ክልተ ክልተ ሰባት ጌሮም ከምጽኡሉ፡ ኣብ ቅድሚኡ ከኣ ኃይሎም ብዛዕባ ኵናት ክፍትኖም ኣዘዘ። ኣብዚ ግዜ'ዚ እቶም ክልተ ደቂ ኤዎስጣቴዎስ ማለት እቲ ተኸላ ዝበልያን እቲ ኣንበሳ ዝወሓጠን፡ ኣብ ክልተ ነንበይነን ዝኾና ዓድታት ዓብዮም እቲ ነቲ ሓደ ከይፈለጦ ብፍቕድ እግዚኣብሔር ተጋጠሙ።

ሕቶ እንተ ተሓተቱ ከኣ ኣሕዋት ኮይኖም ተረኽቡ ኀኽልቲኦም ከኣ ኣብቲ ናይ ኣቡኦም ስራሕ መዘዝዎም። ኣቡኦም ግን ኣይፈልጥን ነበረ። ኣዲኦም'ውን እቲ ሓላፊ መርከብ ትሕኛ ገይሩ እንተሓዛኺ እግዚኣብሔር ካብ ኩሉ ክፉእ ነገር ስለዝዓቐባ ሓላዊት ኣታኽልቲ ወይኒ ናይ ሃገረ ሮሜ ኮይና ጸንሐት።

እቶም ክልተ ደቃ ብናይ ንእስነቶም እናተዘራረቡ በቲ ኣትክልቲ እትሕልዎ ዝነበረት ክሓልፉ ከለዉ ሰምዓቶም እሞ ኣዲኦም ምኻና ነገረቶም። ሠለስቲኦም ተሐጉሶም ከኣ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽ ኣመስገኑ። ሠለስቲኦም ንኤዎስጣቴዎስ ሓላፊ ስርሖም ዘጋጠሞም ነገርዎ እሞ ንሱ ኸኣ ሰበይቱን ደቁን ምኻኖም ፈሊጡ ብሐጐስ ንእግዚኣብሔር ኣመስገነ።

ኣብ ሓደ ቦታ ኩሎም ተኣኪቦም ከምቲ እግዚኣብሔር ቃል ዝኣተወሎም በቲ ዝተገብረሎም ነገራት ንእግዚኣብሔር የመስግኑ ነበሩ።

እቲ ንኤዎስጣቴዎስ ዝፈትዎ ዝነበረ ንጉሥ ሞተ እሞ ሓደ መምለኺ ጣያት ንጉሥ ነገሠ። ነዞም ስድራቤት እዚኣቶም ከኣ ንጣያት ክሰግዱን ክስውኡን ኣዘዞም።
ንሳቶም ግን ንሓደ እግዚኣብሔር እንተ ዘይኮይኑ ንጣያት ኣይንሰግድን ኢሎም ኣበይዎ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ተቐጢዑ ብዝተፈላለየ ስቓያት እኳ እንተ ኣሳቐዮም እግዚኣብሔር ካብ ኩሉ ስቓያት ጥዑያት ጌሩ የተንሥኦም ነበረ።
ኣብ መወዳእታ ብሓፂን ዝተሰርሐ ሓደ ዓቢ ገንኢ ብትሕቲኡ ሓዊ ኣጉዱ ብምጥጣቕ ኣብኡ የእትዩ ቐተሎም። ናይ ሰማዕትነት ኣኽሊል ዓወቶም ካብ ጐይታ ተቐበሉ።
***ጸሎቶምን በረኽቶምን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።***

- ሰላም ለስቃይከ ለለኣሐዱ ኣሐዱ፡
- እምሴተ ኃሙስ ዘኮነ እስከ ምሴተ ዓርብ የዐዱ፡
- ኢየሱስ ክርስቶስ ተስፋ ኤዎስጣቴዎስ ወውሉዱ፡
- ዘበእንቲኣከ ሶበ ውስቴቱ ወረዱ፡
- ለእሳተ ጤገን ዘብርት ኣብሰሎሙ ነዱ።

***ምንጪ፡- ሰንክሳር ኣመ ፭፯ ለመስከረም***

## ምዕራፍ ፪
## ዘመነ ሊቃውንት

ካብ መፋርቐ ቀዳማይ ክፍለ ዘመን (ዘመነ መንግሥቲ ኔሮን ቄሳር) ክሳብ ራብዓይ ክፍለ ዘመን መጀመርታ፡ ማለት ናይ ከሓዲ ዲዮቅልጥያኖስ ግዝኣት መፈጸምታ፡ ናይ ቤተክርስቲያን ዘመነ ስደት ምስ ሓለፈ፡ ናይ ቤተክርስቲያን ህልውና፡ ናይ ክርስቲያን ምእመናን ሓድነት፡ ሰላምን ፍቕርን ዝሓዙ ኣመንቲ ዘይኮነ መሲሎም ዝኣተዉ ብናይ ውሽጢ ጸላእቲ ተንኰል እዩ።
ናይ ቤተክርስቲያን ናይ ውሽጢ ጸላእቲ “ ጸራዊ” “ቢጽ ሓሳውያን” “መናፍቓን” ይብሃሉ። እዚኣቶም ካብቲ ምሉእ ናይ ቤተክርስቲያን ትምህርቲ ፍርቂ ፍርቂ ሒዞም፡ ነቲ ፍርቁ እውን ዘይሓዝዎ ጎደሎታት እዮም።
እዞም ሰባት እዚኣቶም ከምቲ ክርዳድ ሥርናይ መሲሉ ተሓዊሱ ዝዓቢ ኣብ ናይ ጐይታ ዓጸደ ወይን ውሽጢ ቤተክርስቲያን ዝበቐሉ መስሓትያን እዮም። ስለዚ ናይ ውሽጢ ጸላእቲ ተባህሉ።
ደኹን እምበር ቤተክርስቲያን ካብ ትምሥረት ን 300 ዓ መታት ዝኣክል ዝተቓለሰቶ ምስ ቄሳራትን ነገሥታትን ጥራይ ዘይኮነስ፡ እንኮላይ ምስቶም ኣብ ውሽጣ ዝነበሩ ጸላእታ እዩ ነይሩ።
ቤተክርስቲያን ናይ ምሥጢረ ሥላሴን፡ ምሥጢረ ሥጋዌን ትምህርታ ኣብተን ሠለስተ ጉባኤታት ማለት፡-

1. ጉባኤ ኒቅያ ብ325 ዓ.ም. ስለ ወልድ ናይ ባህርይ ኣምላክነት፡
2. ኣብ ጉባኤ ቀስጥንጥንያ ብ381 ዓ.ም. ስለ ናይ መንፈስ ቅዱስ ናይ ባህርይ ኣምላክነት፡
3. ኣብ ጉባኤ ኤፌሶን ብ 431 ዓ.ም. ስለ ምሥጢረ ተዋሕዶ፡ ስለ ሓደ ባህርይን ቅድስት ድንግል ማርያም ወላዲተ ኣምላኽ ምኻናን ዶግማኣ ክሳብ እትገልጽ ከተስተምህሮ ዝጸንሐት ትምህርቲ ካብ ጐይታ፡ ካብ ሓዋርያት ብእዝና ሰሚዓ ብዓይና ርእያ፡ ብኢዳ ዳህሲሳ ዝፈለጠቶን ዝተረድኣቶን እያ።

ኣብቶም ሠለስተ ጉባኤታት ኣንቀጽ ብኣንቀጽ ዝወሰነቶ ነቲ ናይ ጐይታን ናይ ሓዋርያትን ትምህርቲ እምበር ካብኡ ወጻኢ ኣይነበረን። ከም ጸህያይ ኣብ ውሽጣ ዝበቐሉ ቢጽ ሓሳውያን ግን ናይ ክርስትና ስም ለቢሶም፡ ብክርስትና ዝብል ስም ተጸቢቐም ንቤተ ክርስቲያን ካብ መስቀል ኣውሪድካ ብፍልስፍና ምግናዝ፡ ገኒዝካ ከኣ ንምቕባር፡ ንናይ ቤተክርስቲያን ትምህርቲ ንምጥምዛዝ ወይ ንምጥማም፡ ናይ ቤተክርስቲያን ንዘይኮነ ንናይ ፍልስፍና ኣተሓሳስባ ናብ ቤተክርስቲያን ንምእታው ብዙሕ ፈተነታት ፈቲኖም ከይቀንየም (ከይሰለጦም) ተረፈ።
ብራብዓይ ሚእቲ ክፍለ ዘመን ዝተንሥኡ ዓበይቲ መናፍቓን ብቁጽሪ ዓሠርተ ገጸም ዝኾኑ፡ ካብዚኣቶም እቶም ኃሙሽተ ኣብ ምሥጢረ ሥላሴን፡ ምሥጢረ ሥጋዌን ዝተላዕሉ እዮም። ዝርዝር ኣስማቶም፡-

1. ኣርዮሳውያን

2. መቅዶንዮሳውያን
3. ሰባልዮሳውያን (ሞዴሊስቲክ ሞናርኪኒዝም)
4. አቡሊናርዮሳውያን
5. ንስጥሮሳውያን ይበሃሉ።

እቶም ዝተረፉ ፮ (5) ከኣ፡-

1. ኣርጌንሳውያን
2. መነናውያን
3. ጸናንያውያን
4. ጴላግያውያን
5. ጵርስቅላውያን ይብሃሉ።

መናፍቓን ቅድም ብናይ ቤተክርስቲያን ኣቦታት ብንጽል ይኹን፡ ብእኩብ፡ ተወጊዞም እዮም። ነዚኣቶም መሠረት ዝኾንዎም ናይ ግኖስቲዝም፡ ናይ ሲሞናዝም፡ ናይ ምንታዌ ትምህርቲ እኒ ጳውሎስ ሳምሳጢ፡ እኒ ቴዎዶሪጦስ ዘንቅሕዎ ናይ ዳይናሚክ፡ ሞናርኪያኒዝም ናይ ሞንዳን ኑፋቄታት ከም ዝነበሩን ድሕሪኦም'ውን ናይ ሞኖፊዝም ተቐናቐንቲ ዝኾኑ ኣውጣኪያውያን ከም ዝተኸስቱ ዝስሓት ኣይኮነን።

ብመሠረቱ ናይ ውሽጢ ቤተክርስቲያን ጸላእቲ ኣይሁድ ናይ ጵርእን ናይ ኣንጸክያን ካልኦትን፡ ፈላስፋታትን ናይ ፍልስፍና ኣተሓሳስባን እዮም። ናብ ቤተክርስቲያን ሰሊኾም ብምእታው ንቤተክርስቲያን ንቡር ኣስኢኖማ፡ ዕረፍቲ'ውን ከሊኦምዋ ነይሮም።

እግዚኣብሔር ግን በዚ ሚላን ኮነታትን መጽሓፍ ዓሊቦም፡ ኃይለ ቃል ሓሲቦም ተኸራኪሮም ዝረትዑ፡ ናይ እምነት ሥርዓት ኀኸይፋለስ ትጉሃት ዝኾኑ ቅዱሳን ጳጳሳትን ሊቃውንትን ኣተንሥኣ።

ብፍሉጥ ዝኾነ መልዓሊ ካብ ፫፻ (300) ክሳብ ፬፻፶(450) ዓ.ም. ዘሎ ግዜ ዘመነ ሊቃውንቲ ይብሃል።

እዚ ዘመን እዚ ሊቃውንተ ቤተክርስቲያን ርትዕት ዝኾነት ሃይማኖት ንምግላጽ ነቶም ኣንጻር ቤተክርስቲያን ዝኾኑ ከኣ ንምግላጽን ንምግሳጽን ብግቡእ ጽሑፋት ዝተዳለወሉ ብምኻኑ " ናይ ቤተክርስቲያን ኣቦታት ወርቃዊ ናይ ሥነ-ጽሑፍ ዘመን" ይበሃል።መበገሲኡ ከኣ ኣብ ላዕሊ ከም ዝተገልጸ ብቕጽሪ ብዙሓት ዝኾኑ መናፍቓን ዝተንሥኡሉን ዓበይቲ ናይ መላእ ዓለም ሲኖዶሳውያን ኣኼባታት ዝተገብረሉን ዘመን ስለ ዝኾነ እዩ።ነዚኦም ኩላቶም ምቹእ ባይታ ክፈጥረሎም ዝኸኣለ ከኣ ካብ ፫፻ (300) ዓመታት ንላዕሊ ክትስደድ ዝጸንሐት ቤተክርስቲያን ናይ ምኽኣል ውዕል ተባሂሉ ዝፍለጥ ናይ ሚላኖ ነጻነት ውዕል እዩ።

እዚ ውዕል እዚ ዝተኣወጀ ብንጉሥ ቈስጠንጢኖስ ብ ፫፻፲፫ (313) ዓ.ም እዩ ነይሩ ብ 330 ዓ.ም. ናይ ንጉሠ ነገሥት መንበሪ መንግሥቱ ካብ ሮማ ናብ ቊስጥንጥንያ (ሓዳስ ሮማ) ዝተዘዋወረሉ እዩ።

እዚ ከኣ ነቲ ኣብ ሮማ ገኒኑ ዝነበረ ጣዖት ናይ ምድኻሙን ምውዳቑን ምልክት እዩ። ምስኡ ተተሓሒዙ ግዚኡ ብጣዕሚ ምሁራት ዝኾኑ (ጠበብተ ዓለም) ናይ ዓለም ሊቃውንት (ጠበብተ ጽርዕ) ጠበብተ ግብጽ ናብ ናይ ክርስትና ዓለም ዝተሳሕቡሉ ዘመን ብምኻኑ ቤተክርስቲያን ፍሉይ ሊቅነት ዘለዎም ምሁራን ርቱዓነ ልሳን ረኸበት።

መብዛሕቱኦም ብናይ ዓለም ሕግን ብፍልስፍናን ጥበብን ዝበለጹ ነበሩ። እዞም ቅዱሳን ሊቃውንት እዚኣቶም ከምቶም ናይ ኣረማውያንን ፈላስፋታትን ንፍልስፍና ሃይማኖት ኣይገበሩን። ክርስትና ንምርቓቕ " እሾኽ ብእሾክ ይወጽእ" ከምዝበሃል። ነቶም ኣረማውያን ፈላስፋታት በቲ ዝፈትውዎ ፍልስፍና ኣቐሪብካ መርትዒ ዝኸውን መሳርሒ ድኣ ገበሩ።

ነዚ ከኣ ምሥጢራቶም ረቂቕ ዝኾነ ናይ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ኣፈታትሓ ንምርዳእ ናይ ኣንድምታ (ትርጓሜ) ሚላ ትኽተል ዝነበረት ናይ እስክንድርያ ቤት ትምህርትን ናይ ነጸላ ትርጉም ሚላ ትኽተል ዝነበረት ናይ ኣንጾክያ ቤት ትምህርትን ጽቡቕ ኣስተዋጽኦ ኣበርክታ። ብፍላይ ከኣ ናይ እስክንድርያ ቤት ትምህርቲ ብተወሳኺ ከም ሎጂክስ፡ ፊሎዞፊ፡ ሪቶሪክ፡ ታሪኽ፡ ሳይንስ፡ ኣስትሮኖሚ፡ ሕሳብ ዝኣመሰሉ ዓለማዊ ትምህርቲ ውን ጐኒ ጐኒ ትህብ (ተስተምህር) ነበረት።

ሉሌ መልኣኩ . . . ናይ ቤተክርስቲያን ታሪኽ 3ይ ሕታም ገጽ 80 ኣጸቢቑ ከም ዝገልጾ እዘን ክልተ ኣብያተ ትምህርቲ ብናይ ሃይማኖት ትምህርቲ ንቤተክርስቲያን ኣዕኑድ ማእከል ዝኾኑ ብዙሓት ሊቃውንቲ፡ ጳጳሳት፡ መማህራን ኣረኪበን

እየን። በብኽባቢኡ ንዝነበረ ናይ ፍልስፍና ተጽዕኖ ከኣ ብዙሓት ደቀ መዛሙርት ኢ-ክርስቲያናዊ ዝኾነ ኣተሓሳስባ ተመሪዞም ንዝኽተልዎ ዝተፈላለየ ናይ ትርጓሜ ሜላ ነንሓድሕዶም ክነቓቕፉ ይነብሩ ነበሩ።

## ናይ ሊቅ፣ ጳጳስ ዝብል ትርጉም

ሀ. ሊቅ ዝብል ቃል ብቑሙ ሓለቓ፣ ዓቢ፣ ጐይታ፣ መምህር ሹመኛ ማለት እዩ።

ለ. ጳጳስ ማለት ከኣ ናይ ምእመናን ኣቦ ሓላዊ፣ መራሒ፣ ንካህናት፣ ዝቐብዕ፣ ማለት እዩ። ስለዝኾነ ቅዱሳን ጳጳሳትን ሊቃውንትን በታ ቅንዕቲ ሃይማኖት ጸኒያም።

- ናይ ሃይማኖት ትምህርቲ ድርሳናት፣ ሥርዓ ተ እምነት፣ መድበላት ዝጸሓፉ፣
- ብሓዋርያዊነቶም ተዘዋዊሮም ዘስተምሃሩ፣ ናይ ምጽሐፍ ቅዱስ ትርጉም ዘብርሁ።
- ብሥልጣነ ክህነቶም ቀዲሶም ንምእመናን ዘቑረቡ፣
- ጉባኤ ሰሪያም ንመናፍቓን ተኸራኪሮም ዝረትዑ እዮም።

በዚ መዓርግ'ዚ ካብ ዝጽውዑ ኣርባዕተ ዓበይቲ ሊቃውንተ ቤተክርስቲያን ንኣርዮሳውን፣ ኣቡሊናርዮሳውን መቅዶንዮሳውን ኑፋቄታት ዝረትዑ ብኹሉ ገድልታቶም ኣዝዮም ዓበይቲ ሊቃውንቲ ይበሃሉ።

ንሳቶም ከኣ፦-

1. ቅዱስ ኣትናቴዎስ (ሓዋርያዊ) ሊቀ ጳጳሳት ( ዘእስክንድርያ)
2. ቅዱስ ባስልዮስ ዓቢ ሊቀ ጳጳሳት ዘቂሳርያ (ማኅቶተ ቤተክርስቲያን)
3. ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ሊቀ ጳጳሳት ዘቀ'ስጥንጥንያ
4. ቅዱስ ጎርጎርዮስ ዘእንዚናዙ ሊቀ ጳጳሳት እዮም።

ካብዚ ብምቕጻል ናይዞም ኣበው ሊቃውንት ዝርዝር ታሪክ ይቕጽል ቅዱስ ኣትናቴዎስ ሐዋርያዊ

ምንጪ፦- ነገረ ቅዱሳን ገጽ 46 ብ 1997 ዓ.ም. ማኅበረ ቅዱሳን

የቤተክርስቲያን ታሪክ ገጽ 49 ኣ.ኣ.ኪ.

✠ ✠ ✠

## ታሪክ ቅዱስ ኣግናጥዮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘሮሜ

እዚ ጻድቕዚ ጐይታ ኣብ ወንጌል ተጻሒፉ ከም ዘሎ ኣቦታትና ሓዋርያት ብኽብሪ ካባታትና እቲ ዝዓበየ መን እዩ ኣብ ዝበለሉ ግዜ ጐይታ ካብ ማእከሎም ሓደ ሕፃን ኣቕሙ ከምዚ ሕፃንዚ እንተዘይኬንኩም መንግሥተ ሰማያት ክትኣትዉ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ማቴ 8፡1-5 ብምባል ትሕትና ኣስተምሃረ። ነዚ ናይ ትሕትና ትምህርቲ መምህር ዝኾነ ቅዱስ ኣግናጥዮስ እዩ። ቅዱስ ኣግናጥዮስ ምስ ዓበየ ናይ ዮሐንስ ወንጌላዊ ደቀ መዝሙር ብምኻን ናይ ነገረ መለኮት ትምህርቲ ብዝግባእ ተማህረ። በዚ ከኣ ናይ ቅዱስ ዮሐንስ ኣሰር ዝኽተል ኮነ። በዚ እያ ከኣ ቤተክርስቲያን ድሕሪ ኢዮዲስ 3ይ ጌራ ኣብ መንበር ጴጥሮስ ሊቀ ሓዋርያት ሊቀ ጳጳስ ዝሸመቶ። ንሱ ተሸይሙ ክሳብ ብስምዕትና ዝዓርፍ ዕለት ከም ኣቦታት ሓዋርያት ስለ ናይ ፈጣሪ ባሕርይ ሓድነትን ሠለስትነትን ብቓል ይኹን ብጽሑፍ ኣበርቲዑ ዝመሃረ ኣቦ እዩ።

## ዝመሃሮ ትምህርቲ

ኩሉ ፍጥረት ዝፈጠረ ናይ ፍጥረታት ኽመትን መዓርግን ክህብ ዝኽእል እግዚኣብሔር ብመልክዕ፣ ብገጽ፣ ፍጹም ዝኾነ ብሠለስተ ኣካላት ኣብ ናይ ጐይትነት ዙፋኑ ተቐሚጡ ኩሉ ዝገዝእ እዩ ኢሉ። በዚ ከኣ ናይ ምሥጢረ ሥላሴ ትምህርቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን ቤተ ኣብርሃም ዘፍ 18፡1-15 ካብ ሓዲሽ ኪዳን ከኣ ናይ ፈለገ ዮርዳኖስ የመልክት ማቴ 3፡16-17። ቅዱስ ኣግናጥዮስ ናይ ቅዱስ መጽሓፍ ሓዋርያዊ ሊቅ ከም ምኻኑ ብመለኮታዊ ትምህርቱ ብሠለስተ ኣካላት ሓደ መለኮት፣ ብሓደ መለኮት ሠለስተ ኣካላት ምንባሮም ብዘይ ምትሕውዋስ ብትኽክል (ዕሪና) ኣቕሚጡ ይርከብ። ኣካላት ዝተባህሉ " ኣብ፣ ወልድ፣ መንፈስ ቅዱስ" ምኻኖም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተመዝጊቡ ኣሎ። ሥላሴ ዝተባህሉ እዚኣቶም እዮም።ስለ እግዚኣብሔር ወልድ'ውን ብፍሉይ ኣካሉ ሰብ ናይ ምኻኑ ነገር ክናገር ከሎ ምስ ናይ ባሕርይ ኣቡኡ ኣብ፣ ምስ ናይ ባሕርይ ሕይወቱ መንፈስ ቅዱስ፣ በመለኮትን ብባሕርይን ሓደ እንተኾነ ካብ ቅድስት ድንግል

ማርያም ክውለድ እንከሎ ብፍሉይ ኣካሉ ደኣ ተወልደ እምበር ሠለስቲኦም ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ተወሊዶም ኢልና ኣይንናገርን ኢና። ወይ ኣይንብልን ኢና። ኣብን መንፈስ ቅዱስን ምውላድ ኣይምልከቶምን እዩ። ማለት ንእግዚኣብሔር ወልድ ጥራይ እዩ ምውላድ ዝምልከቶ ኢሉ ምዂሩ።

ሓደ ኣካል ሓደ ባሕርይ በሃልቲ ኣይሁድን ሰዓብቶምን እኳ እንተዘይኣመኑ ንሕና ግን ኣብ በከዊነ ልብ፡ ኣብ ወልድን ኣብ መንፈስ ቅዱስን ህልው ምኳኑ፡ ወልድ እውን በከዊነ ቃል ኣብ ኣብን ኣብ መንፈስ ቅዱስን ህልው ምኳኑ፡ መንፈስ ቅዱስ እውን በከዊነ እስትንፋስ ኣብ ኣብን ኣብ ወልድን ህልው ምኳኑ ኣሚንና እንተ ተናገርና እውን ኣብ ወልድን መንፈስ ቅዱስን ናብ ምኳን ወልድ እውን ኣብን መንፈስ ቅዱስን ምኳን መንፈስ ቅድስ እውን ኣብን ወልድን ናብ ምኳን ኣይልወጡን እዮም። ናይ ባሕርይ ሓድነት ኣብ ሠለስተ ከይተኸፍለ ናይ ኣካላት ሠለስትነት ብናይ ባሕርይ ሓድነት ከይተጠቕለለ ንኣምን ይብል።

ቅዱስ ኣግናጥዮስ ዝነበረሉ ዘመን ኩሉ ክርስቲያን እናተሳሕበ ምስ ኣንበሳታት ዝቃለሰሉ ከም ሓደ ጎሓፍ ናብ እሳት ዝድርበየሉ ከም ዝዓበደ ከልቢ ኣብ ዝተረክቦ እናተኸትከተ ዝኸደሉ ዝነበረ ግዜ ብጣዕሚ ኣሕዛኒ ከም ዝኾነ ኣብ ታሪኽ ቤተክርስቲያን ተመዝጊቡ ኣሎ። ንቅዱስ ኣግናጥዮስ እውን እዚ ፈተና'ዚ በጺሕዎ እዩ።

## ቅዱስ ኣግናጥዮስ ዝተነበዮ ትንቢትን ፍጻሜን

እዚ ቅዱስ ኣቦ'ዚ ኣቐዲሙ ከም ዝተገልጸ ካብቶም ፸፪ (72) ኣርድእት ሓደ ኮይኑ ኣብ ናይ ኣንጾኪያ ዞባታት ክርስቶስ ወረደ፡ ተወልደ፡ ተጠምቀ፡ ኣስተምሃረ፡ ሓመመ፡ ሞተ፡ ተንሥኣ፡ ዓረገ ኢሉ ከስተምህር እንከሎ ኣቦ ንጉሥ ዲዮቅልጥያኖስ ኑማርዮስ ይብሃል።

እዚ ኑማርዮስ ዝተባህለ ሰብኣይ ናይ ቅዱስ ኣግናጥዮስ ትምህርቲ ምእንቲ ከይሰምዕ ኢሉ ብንዕቀት ገዝኡ (ቤቱ) ዓ ጽዩ ደቀሰ።

ቅዱስ ኣግናጥዮስ ብጸጋ ዝበሎን ዝሓሰቦን ፈለጠ "እዚ ኣፍ ደገ ዓጽዩ ዝደቀሰ ሰብኣይ ሰበይቱ ሎሚ ለይቲ ክትጸንስ እያ። እቲ እትወልዶ ውላድ ከኣ ከም ይሁዳ ፈጣሪኡ ዝኽሕድ፡ ንምእመናን ብሓዊ ዜንድድ፡ ብሰይፊ ዝሓርድ፡ ንዝተረፈ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ዘሳድድ ክኸውን እዩ" ኢሉ ተነበየ።

ስለዚ እቲ ትንቢት ምእንቲ ክፍጸም ኣብታ ለይቲ እቲኣ ተጠንሰ። ኣብ ትሸዓተ ወርሕን ኃሙሽተ መዓልትን ኣዲኡ ንዕኡ ክትወልድ ብጻዕሪ ሞተት። እቶም ሕዝቢ ገሊኦም ንቐበራ ክብሉ እንከለዉ ገሊኦም ከኣ እቲ ሕፃንከ በሉ በዚ ምኽንያት ከኣ ከይቀበርዋ ሓደረት። ንግሆ መጺኦም እንተረኣዩ ከብዲ ኣዲኡ ቀዲዱ፡ ብኸብዳ ወጺኡ ናይ መዋቲት ኣዲኡ ጡብ ሒዙ ጸባ ጡብ ክጠቡ ጸንሑም። ቤተሰቡ "ወልደ ምውት" በልዎ። ትርጉሙ ካብ መዋቲት ኣደ ዝተረኽበ ማለት እዩ።

ምዕባዩ ኣይተረፈን ኣብ ዓዱ ምስ ኣቡኡ ኑማርዮስ ዓበየ። ደቂ እቲ ከባቢ ኑቲ ናይ ቅዱስ ኣግናጥዮስ ትንቢት ዝሰምዑን ዝፈለጡን "ሕማቕ ትንቢት ተነጊሩሉ ነይሩ እዩ እሞ ንዑ ንቕተሎ" ክብሉ እንከለዉ ኣቡኡ ኑማርዮስ ሰምዐ። ምእንቲ ከይቕትሉሉ ኢሉ ከኣ ናብ ታሕታይ ግብጺ ሰደዶ። ኣብ ግብጺ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ውላድ ዘይነበሮ (መኻን) ሰብ ተቐቢሉ ብመጀመርታ ሓላዊ እኽሊ ገበሮ። ደሓር እናዓበየ ምስ ከደ ከኣ ተጽዕኖ ፈረስ፡ ውርወራ ኵናት፡ ነገረ መሰንቆ ማለት መሰንቆ ምስንቃው ኣስተምሃሮ። እዚ ዲዮቅልጥያኖስ ተባሂሉ ዘሎ ስመ መንግሥቱ ክኸውን እንከሎ እቲ ቀዳማይ ስሙ ከኣ ኣግሪጳ ይብሃል ነበረ።

ኣብ ሃገረ ቀ'ዝ ኑማርያኖስ ዝተባህለ ንጉሥ ብጅካ ክልተ ኣዋልድ ወዲ ከይወለደ ሞተ። እቲ መንግሥቲ <u>ብፍንጥርጥያ</u> ማለት በታ ዝዓበየት ጓሉ እናተመርሐ ይነብር ኣብ ዝነበረ እዋን ኣግሪጳ ወቕዒ መሰንቆ ብምኳኑ ስልቲ፡ ፈልዩ ነቶም ኣብ ከባቢኡ ዝነበሩ ኣፍራስ መሰንቆ ወቕዓሎም።

ከምኡ'ውን ናይ ቶቤል ሰይጣን ሓዲርዎ ስለ ዝነበረ እዚ ሰይጣን'ዚ ናብቶም ኣፍራስ ኣተወ። ነቶም ኣፍራስ ከኣ ውቃዕ ኣግሪጳ (ወልደ ምውት) ሰሚያም ብተመስጦ ከም ዝስዕስዉ ገበረ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ እታ ንእሽቶ ጓል ኑማርዮስ ህንጥልብያ ዝተባህለት ኣግሪጳ መሰንቆ ክወቅዕ ኣፍራስ ከኣ ክስዕስዉ እንከለዉ ነታ ዓባይ ሓብታ ፍንጥርብያ ረኣዩ በለታ። ፍንጥርብያ ብመስኮት ኮይና እንተኣማዕደወት እቲ ኣብቶም ኣፍራስ ሓዲሩ ዝነበረ ሰይጣን ናብኣ ኣተወ'ሞ ከምዚ ዝስዕብ ከም እትብል ከኣ ገበረ።

“ኣነ ነዚ ሰብ'ዚ ተመርዕየ ኣብ መንግሥተይ ከንግሥ እየ ንገርዎ ” በለት። ንሱ ሕራይ በለ። ተመርዕያ ከኣ ኣብ መበል ሠለስተ መዓልቲ ናይ ኣቡኣ ዘውዲ ደፊኣ ኣንገሠቶ። ስሙ ኣግሪጳ ዝበሃል ዝነበረ ዲዮቅልጥያኖስ ብዝብል ለወጠቶ። “ ዝሞትና ንሕና ዝነገሥና ንሕና” ከኣ በለት።

ሓብቲ ቅዱስ ቴዎድሮስ እስፍንድያ ነዚ ነገር'ዚ ሰሚዓ “ እንሆ ወዲ ኑማርዮስ ኣብ ግብጺ ሓላዊ ከብቲ (እንስሳ) ጓሳ ኣባኾል ዝበልካዮ ንፍንጥርብያ እታ ዓባይ ጓል ኑማርያኖስ ተመርዕያ ኣንገሠቶ” ኢላ ንቴዎድሮስ ሓዋ ለኣኸትሉ።

ንሱ ንገላውዴዎስ “ ሠራዊትካ ሒዝካ ኪድ ሃገረ ቍልዝም፣ ጽንሓኒ” በሎ። ገላውዴዎስ ገስጊሱ ከይዱ ኣብቲ ዲዮቅልጥያኖስ ዘለዎ ቦታ በጽሐ።

ሽዑ ዲዮቅልጥያኖስ ፈሪሁ ሰበይቱ ሒዙ ተሓብአ።

ቴዎድሮስ “ ዝነገሠ እንታዋይ እዩ ዘንገሠ ኸ መን እዩ፡” ኢሉ ሓተተ። ብዝረኸቦም ወተሃደራት ከኣ ኃሙሽተ ሚእቲ (500) ብሴፍ ቀተለ።

ዲዮቅልጥያኖስ ስለ ዝፈርሀ ነታ ኣብ ርእሱ ዝነበረት ዘውዲ ኣብ ላዕለዋይ ደርቢ ተሐቢኡ ስለ ዝነበረ ብሻሽ ጠቕሊሉ ንታሕቲ ኣውረደሉ።

ቴዎድሮስ ክቕትሎ ምስ ደለየ መልኣኽ እግዚኣብሔር ወሪዱ ሕደጎ ይንገሥ፣ ብናቱ ኢድ ዝኸስቡን ዝጥቀሙን ብዙሓት ኣመንቲ ኣለዉ። ከምኡ'ውን እቲ ናይ ቅዱስ ኣግናጥዮስ ትንቢት ምእንቲ ክፍጸም እዩ ኢሉ ነገሮ።

ንሱ ፍቕድ እግዚኣብሔር ካብ ኮነስ ይንገሥ ኢሉ ከይቀተለ ሕደጎ።

## ኣመዋውታ ቅዱስ ኣግናጥዮስ

ናይ ኣንጾኽያ መራሒ መምሸኺ ጣያትን መዝገበ ኃጢኣትን ዝኾነ ጠራብዮስ ንቅዱስ ኣግናጥዮስ ንፈጣሪኡ ክሒዱ ጣያት ከምልኽ ኣብ ዝሓተቶ እምቢ ብምባሉ ናብ ሮማ ተላኢኹ ብናይ ትራጃን ፍቕድ ጠምዮም ንዝቕነዩ ኣናብስቲ ተዋሂቡ ብስምዕትና ዓረፈ። ምእንትኣ ኢሉ ዝሞተላ ቤተክርስቲያን “ምጥው ለኣንበሳ” “ለባሴ እግዚኣብሔር” (ቴዎፎሮስ) እናበለት ብምዝካር ስሙ ትጽውዕ ካብቶም ፸፪ (72) ኣርድእቲ ሓደ እዩ።

***ዕለት ዕረፍቱ ፷፬ ታሕሳስ እዩ ክንክሳር ተመልከት***
***ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኵሳትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።***

ስንክሳር ፷፬ ታኅሣሥ ስንክሳር ፯ ሐምሌ

- ሰላም ለኣግናጥዮስ ለእግዚኣብሔር ጎሩዩ።
  - ሰላም ለኣግናጥዮስ ለመንበረ ጴጥሮስ ዘወረሳ፣
- ዘሰበከ ጽድቀ ለእለ ጌገዩ።
  - እምነ መናብርት ኩሉ ዘተለዓለ ሞገሳ
- ኣረማውያን ላዕሌሁ እንዘ ይትዋነዩ
  - ለመስዋዕተ ጣያት ምንጋት እንዘ ያረኵሳ
- በፍልሃተ ቅብዕ ወተይ መለያልያቲሁ አውዓዩ
  - በፍጻሜ ሰምዑ ቀተሎ አንበሳ፣
- ወአፍሐመ እሳት ካዕበ በእዴሁ ወደዩ።
  - ወእምድኅረዝ ኢቀርበ ለሥጋሁ ይግሥግ።

***ምንጭ***

***1.፷፬ ታሕሳስ ስንክሳር ሐምሌ ፯***
***2.ነገር ቅዱሳን ገጽ 14 1997 ዓ.ምም ኣ.ኣ.ኢ***

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ቅዱስ ጴጥሮስ ተፍጻሜ ሰማዕት ሊቀ-ጳጳሳት ዘእስክንድርያ

ቅዱስ ጴጥሮስ ተፍጻሜ ሰማዕት ኣቡኡ ቴዎድሮስ ሊቀ ካህናት ዘእስክንድርያ፣ ኣዲኡ ሶፍያ ይብሃሉ። ውላድ ብምስኣኖም ይሓዝኑን ንኣምላኽ ይልምኑን ነበሩ። ሓደ መዓልቲ ብበዓል ናይ ቅዱሳን ሓዋርያት ጴጥሮስን ጳውሎስን 5

(፩) ሐምሌ ቅድስቲ ሶፍያ ናብ ቤተክርስቲያን ከይዳ ክትምሕፀን ከላ ቅዱሳን ሓዋርያት ኣብ ስእልታቶም ኮይኖም ወዲ ክትወልዲ ኢኺ ንሱ ከኣ ቅዱስን ጎሩይን ስለ ዝኾነ ጴጥሮስ ኢልኪ ስም ኣውጽእሉ በልዋ። ተወሊዱ ስሙ ጴጥሮስ ኣውጽኣትሉ። ብመንፈሳዊ ትምህርቲ ምእንቲ ክዓቢ ከምኡ እውን ንእግዚኣብሔር የገልግል ኢሎም፣ ንሊቀ ጳጳሳት ኣባ ቴዎናስ ሃብዎ። እዚ ሊቀ ጳጳሳት እዚ ኣስተምሂሩ ካብ መዓርገ ዲቁና ክሳብ መዓርገ ክህነት ኣብጽሐ። ክመውት እንከሎ እውን ብድሕረይ ዝሽየም ጴጥሮስ እዩ ኢሉ ነገረሉ። ልክዕ ከምታ ዝበላ ምስ ሞተ ከኣ ቅዱስ ጴጥሮስ ተፍጻሜ ሰማዕት ኣብ ግብጺ እስክንድርያ መበል ፲፰ (18) ሊቀ ጳጳሳት ተሸመ። ነዚ ቅዱስ ኣቦዚ ሠለስተ ተመሃሮ ነበርዎ። ንሳቶም ድማ እለእስክንድሮስ፣ ኣኪላስ፣ ኣርዮስ ይበሃሉ። እዚኣቶም ጥራይ ተጠቒሶም እምበር ተመሃሮኡስ እዚኣቶም ጥራይ ኣይኮኑን ግን ንታሪኽ ስለ ዝመጽኡ ሠለስተ ተጠቒሶም። ኣርዮስ ሃገሩ ልብያ እዩ። ሓደ መዓልቲ ኣብ ቤተ መዛግብቲ (ናይ መጽሓፍቲ መዝገብ) ኣትዩ ካብ ጥበበ ሰሎሞን ክንብብ እንከሎ *(ትሬ ጥበብ ፈጠረኒ ኣብ ከመ እኩን መቅድመ ኩሉ ተግባሩ)* ምሳ 8፡22/ ፹፥፳፪ ዝብል ንባብ ረኸበ። ንሱ ናይ እግዚኣብሔር ወልድ ኣምላክነት ይጠራጠር ነበረ'ሞ፣ ጥበብ ተባሂሉ ዘሎ እግዚኣብሔር ወልድ እዩ። ፈጠረኒ ማለት ከኣ ብባሕርዩ ፍጡር ስለ ዝኾነ እዩ እምበር ኢሉ ክከራኸርን ከስተምህርን ጀመረ።እዚ ነገር'ዚ ናብ ተፍጻሜ ሰማዕት ቅዱስ ጴጥሮስ በጽሐ'ሞ፣ ጸዊዑ እዚ ወደይ ከምዚ ዝበለ ትምህርቲ ካባይ ኣይሰማዕካን፣ ካብ መጽሓፍ እውን ኣይረኸብካን፣ ኀኻልኣይ ግዜ ከምዚ ኢልካ ኣይትሕሰብ፣ ኣይትናገር እውን በሎ። ኣርዮስ (እሺ ሕራይ) ኢሉ ከደ። ምክርካር ግን ኣየቓረጸን።

ቅዱስ ጴጥሮስ ንኣርዮስ ካብ ሽመቱ ስዓሮ ካብ መዓርጉ ኣውሪዱ ኣባረሮ። ንጉሥ ዲዮቅልጥያኖስ እዞም ክርስቲያን ክውድኡን ክጠፍኡን ኢለ መዓልታዊ ብሴፍ እውድኦም ኣለኾኑ። ግን እንደገና ከኣ ይበዝሑ ኣለዉ። ዋላ እውን ኣይቀነሱን። እንታይ እዩ ነገሩ ኢሉ ሓተተ። ንሸኻ ሽሕ ክልተ ሽሕ ቀቲልካ እንተውዒልካ ሽሕ ክልተ ሽሕ የእሚኑ ኣጠሚቹ ዝውዕል መምህር ኣለዎም ኢሎም ነገርዎ። መን እዩ ንሱ፡ በሎም፣ እቲ ናይ እስክንድርያ ሊቀ-ጳጳሳት ጴጥሮስ እዩ በልዎ። ቅተልዎ ኢሉ ጋላት ዝተባህሉ ጭፍራ ለኣኹ።

ኣርዮስ ነዚ ነገር'ዚ ሰሚዑ ንኣኪላስን ንእለእስክንድሮስን “ተመሊሰ ኣሎኹ እሞ ምስ መምህረይ ኣተዓርቕኒ ” በሎም። ከይዶም ኣቦና ተዓረቕልና በልዎ። ቅዱስ ጴጥሮስ ተመሊሱ ድዩ፡ በሎም እወ ተመሊሰ ኣሎኹ ኢሉ በልዎ። እንተተመሊሱ ድኣ ጽቡቕ ኢሉ መዓልቲ ቆጺሩ ኣፋነዎም። በዛ ለይቲ እዚኣ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብኣምሳለ ሕፃን ኮይኑ ዝተቐደደ ክዳን ተኸዲኑ ርእሱ ሒዙ ክሓዝን ክጉሂ ተራእዮ። ጐይታ ምኻኑ ፈሊጡ “*ኦ እግዚእየ መኑ ሠጠማ ለልብሰኪ*” ጐይታይ ክዳንካ ደኣ መን እዩ ቀዲድልካ፡ በሎ። “*ኣርዮስ ሠጠማ ለልብሰኒ*” ኣርዮስ እዩ ቀዲድዎ በሎ። ካብቲ ናይ ባሕርይ ኣቦይ ኣብ፣ ካብቲ ናይ ባሕርይ ሕይወተይ መንፈስ ቅዱስ ፈልዩኒ፣ “*መእምኔሁ ተዓቀብ*” ክምለስ ስለ ዘይክእል እቲ ተወጊዝዎ ዘሎ ውግዘት ከይትፈትሕ ተጠንቀቕ በሎ። ጐይታ ኣብዚ ጊዜ'ዚ ኣተሓሒዙ ንቅዱስ ጴጥሮስ ክሳብ ግዜ ምጽኣት ዘሎ ነገራት ኩሉ ነገሮ።

እቶም ክልተ መማህርቱ ኣኪላስን እለእስክንድሮስን ከም ቆጸርኦም ንኣርዮስ ሒዞሞ ናብ ቅዱስ ጴጥሮስ መጹ ኣርዮስ ሓደ እግሩ ናብ ውሽጢ ቤት ሓደ እግሩ ኣብ ደገ ከሎ “*ውጉዝ ኣርዮስ በሰማይ ወበምድር*” ኢሉ ወገዞ። ኣርዮስ ሃዲሙ ከይዱ ጠፍኣ፣ በዓል ኣኪላስ ደንጊጾም ጠጠው በሉ። እዞም ደቀይ ሰለምንታይ ትድንግጹ በሎም። “ክነታዓርኾ ኢልና እንደገና ከም ዝገድድ ኮይኑ ደኣ እንታይ ከ ዘየደንግጽ ኣለና በልዎ”። ኣነ ናይ ጐይታይ ፍቓድ ክጥሕስ ኣይክእልን እየ ዕለተ ሞተይ ቀሪቡ እዩ። ብድሕረይ ኣኪላስ ወደይ ክሽየም እዩ። ብውዳሴ ክንቱ ጠሊፉ፣ ብናይ መሰታነት (ብሓደ ምዕባይ) ፍቕሪ ተገዲዱ። ናብቲ ዝነበሮ ሽመት ክመልሶ እዩ። ንሱ እውን ኣይጥቀምን ኣብ መንፈቕ ኣብ ሽዱሽተ ወርሒ ክቕዘፍ እዩ። ካብኡ ቀጺሉ ወደይ እለእንስክድሮስ ክሽየም እዩ። ኣብ ዘመኑ ዓቢ ጉባኤ ክግበር

እዩ። ናይ ኣርዮስ ሕፍረት ከኣ ኣብ ጉባኤ ክገልጾ እዩ ኢሉ ጐይታ ዝገለጸሉ ነገሮም። ነዚ ሰሚያም ናብ ቦትኦም ተመልሱ። ድሕሪኡ እቶም ድዮቅልጥያኖስ ዝለኣኾም ጭፍራ (ጋላት) መጹ። ንቅዱስ ጴጥሮስ ምእመናን ኣዝዮም ይፈትውዎ ስለ ዝነበሩ ለይትን መዓልትን በብእብረ ክሕልዉዎ ጀመሩ። ቅዱስ ጴጥሮስ ግን ኣዝዩ ንሕዝቡ ሓላዪ ብምኻኑ ብኣይ ምክንያት ናይ ምእመናን ደም ብኸንቱ ዶ ክፈስስ ኣይኮነን ብምባል ኣብ ናይ ቅዱስ ማርቆስ ቤት መቓብር ኣትዩ *"ኦ እግዚኦ ረሲያ ለዛቲ ደምየ ተፍጸሜተ ደመ ኩሎሙ ሰማዕተ ኣንጸክያ"* ንደመይ ናይ መወዳእታ ስምዕትና ግበራ ኢሉ ክጽሊ ጀመረ። በዚ ምክንያት'ዚ ከኣ*"ጴጥሮስ ተፍጸሜ ሰማዕት"* እናተባህለ ክጽዋዕ ክኢሉ። ከምዚ ማለቱ ግን ብድሕሪኡ ስለ ክብሪ ወንጌል መከራ ንዝቕበሉ ምእመናን ሰማዕት ከይኾኑ ወይ ሰማዕት ከይበሃሉ ተመቕንዩ ዘይኮነስ መከራ ምስ በርትያም ከይኽሕዱ እሞ ከይኩነኑ ኢሉ እዩ። ከምዚ ኢሉ ምስ ጸለየ ንናይ ጸሎቱ መልሲ *"ኣሜን ይኩን በከመ ቃልኩ"* ዝብል ድምጺ ካብ ሰማይ ተሰሚዑ።

ቅዱስ ጴጥሮስ ምእንቲ እቶም ሕዝቢ ምስኡ ከይሞቱ ኢሉ ምስቶም ሰየፍቲ ከምዚ ኢሉ ተማኽረ ኣብ ፍሉይ ሰዓት ብለይቲ ሰብ ከይረኣዮም ክመጽኡ ንሱ ከኣ በታ መስኮት ተቕሪቡ ክጸንሐም እሞ ብጽምዋ ክስይፍዎ፣ ከምታ ዝበሎም ብመስኮት ሴፍ ብምሕላፍ ሰየፍዎ። ካብ ክሳዱ ጸባን መዓርን ወጸአ እቲ በድኑ ከኣ ኀኽልተ ሰዓት ዝኣኽል ከይወደቐ ጠጠው ኢሉ ጸንሐ። *"ኣስሓው ሎሙ ፈቃሮ ቅድስተ ወመጠዎሙ ክሳዶ ክብርተ ለጋላት"* ክም ዝብል።

ኩሉ ግዜ ጸሎቱ ምስ ፈጸመ ብኢዱ ጠቓዕ ጠቓዕ የብለሎም እሞ እቶም ምእመናን ኣትዮም እቲ ዝመሃር ክመሃር፣ እቲ ብሕጊ ዝመጽእ ከኣ ብሕጉ ይዘራረብ ነበረ። ኣብዛ ዕለት እዚኣ ግን ፈጺሞም ድምጹ ክረኽቡ ኣይከኣሉን።

ከፊቶም እንተ ኣተዉ ክሳዱ ተቐሪጹ ጸንሐም። እንተኣጋጠምዎ *"ወኢተረክበ ኣሰረ ምትረት"* ይብሎ። ሰይፍ ዘይተንከየ ኮይኑ ጸንሐም።

ኣብ መንበሩ ከኣ እንትርፎ ሓንቲ መዓልቲ ተቐሚጡ ኣይፈልጥን ነበረ። ምክንያቱ ሓደ መዓልቲ እናስተምሃረ እንከሎ ጐይታ ተቐሚጥዎ ስለ ዝረኣዮ ኣነ ምስ ጐይታይ ተጸቓቒጠ ኣይቅመጥን ብምባል ነበረ። እንታይ ድኣ ኣብቲ ጎኑ ምንጻፍ ኣንጺፉ ኣብ ታራ መንበር ይቕመጥ ነበረ። ሽዑ እቶም ምእመናን ኣብዚ መንበርዝ ጌሮም ብመዝሙር ብማኅሌት ብኽብሪ ቀበርዎ።

***ናይ ቅዱስ ጴጥሮስ ተፍጻሜ ሰማዕት በረኽት ምስ ኵላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን። ኣሜን።***

- ሰላም ለከ ሰባኬ ሃይማኖት በጥያቄ
- ኣምሳለ ጳውሎስ በሰሎንቄ፣
- ዕፀ ወይን ጴጥሮስ ወዕፀ ሐዲስ ኤሎቄ
- ኣርጋበ ዘሞርሞንቄ እንተ ጸለልከ እም ኣንቄ
- እፎኑመ ጊዜ ሠርክ ኣውዓየከ መርቄ።

***ምንጪ፦ ሰንክሳር ዕለት ፭፱ ጎዳር***

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ቅዱስ እለ እስክንድሮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእስክንድርያ

ድሕሪ ሞት ቅዱስ ጴጥሮስ እቲ መንበር ማርቆስ ብዘይ ሊቀጳጳሳት ስለ ዘይሓድር ከምታ ዝተነግረት ትንቢት ንኣኪላስ ሸምዎ። ኣርዮስ ካብ ውግዘተይ ክፈትሓኒ እዩ ብምባል። "ሎሚ ግብረ ገብነት ዝተማህረ ሊቅ" ተሸይሙ እናበለ ብውዳሴ ከንቱ ጠለፎ። ካብቲ ተወጊዝዎ ዝነበረ ፈቲሑ ኣብ ቦትኡን መዓርጉን መለሶ። ንሱ እውን ኣይተጠቕመን ኣብ 6 (፮) ወርሑ ተቐዝፈ ድሕሪኡ እለእስክንድሮስ ተሸመ። ከምታ ናይ ኣቡኡ ከኣ ኀኻልኣይ ግዜ ውግዘት ኣብ ርእሲ ውግዘት ጌሩ ወገዞ (ፈለዮ) ኣርዮስ ኣተዓርቕኒ ኢሉ ኣተዓረቕቲ ሰባት ለኣኸ። መምህረይ "ዘይምለስ ክሓድን መናፍቕን እዩ ኢሉ ነጊሩኒ እዩ" ኢሉ ኣብ ርእሲ ውግዘት ውግዘት ወሰኾ።

እለእስክንድሮስ ናብ ቆስጠንጢኖስ እንተኸደ ኣርዮስ ብዘይፈጸምክዎ ወጊዙኒ ኢሉካ በሎ። ንሱ ከኣ በል ኣራኽበኒ በሎ። ከራኽቦ እንተበለ ኣርዮስ ተሳኢኑ ደሓር ግን ከም ሓደ ወደል ባርያ ገዛ ገዛ ክዘውር ተረኽበ እሞ ኣጋጠሞ። ንጉሥ ቆስጠንጢኖስ ንቅዱስ እለእስክንድሮስ ሓቀኛ ምኻኑ ስለ

ዝኣመኖ ንኣርዮስ ጉባኤ ከቐመልካ በሎ። እለእስክንድሮስ ከኣ መምህሩ ብጉባኤ ከም ዝረትየ ነጊርዎ ስለ ዝነበረ ተሓጕሰ። ካብ ዕለት 21 (፳፩) ሚያዝያ ክሳብ 21 (፳፩) መስከረም ኣብ ኒቅያ ተኣከቡ ኢሉ ኣወጀ። ዝሓመመ ሓውዩ፡ ዝደኸመ ቀስ ኢሉ ብምምጻእ 21 (፳፩) መስከረም ፪፻፫፻(2340) ሊቃውንቲ ተኣከቡ። ስምኩም፡ ሃገርኩም፡ ሃይማኖትኩም ጽሒፍኩም ሃቡኒ በሎም። ጽሒፎም ከኣ ሃብዎ፡ እቶም ፫፻፲፯ (317) ልክዕ ንእለእስክንድሮስ መሲሎም ተረኽቡ። ካብዚኣቶም መከራ ዘይተቐበለ ኢዱ ወይ እግሩ ዘይተቐርጸ፡ ዓይኑ ዘይነቐረ ኣይነበረን። ን22 (፳፪) ዓመታት ኣካላቱ በብንእሽቶይ ቆራሪጹ ንጣየቱ ክዓጥነሉ ዝጸንሐ ዲዮቅልጥያኖስ ቅዱስ ቶማስ ዘመርአስ ኤጲስ ቆጶስ ሓደ ካብኣቶም እዩ።

እቶም ፬ ዓበይቲ ሊቃነ ጳጳሳት እውን ምሳታቶም እዮም። ድሕሪኡ እዞም ፫፻፲፰(318) ሊቃውንቲ ብሱባኤ ብሓደ ከይኖም ክምርምሩ ጀመሩ። ጐይታ እውን ከም ሓደ ካባታቶም መሲሉ ኣብ ማእከሎም እናተረኽበ ዝጎደለ እናኣቃንዓሎም ይውዕል ነበረ። ንጉሥ ቆስጠንጢኖስ እናረኣዮ ንፉዕ ኤጲስ ቆጶስ እናበለ የድንቕ ነበረ። ድራሮም ክሰደሎም እንከሎ እቶም ፫፻፲፰(318) ተቐቢሎም ሓንቲ ግን ተመሊሳ ናብ ንጉሥ ትኣቱ ነበረት። ጐይታ ምኻኑ በዚ ፈለጠ። ትሽዓተ ሱባዔ ምስ ፈጸሙ ኣብዚ ዕለትዝ ኣፈ ጉባኤነት ብቅዱስ እለእስክንድሮስ ቆመ። እንታይ ሒዝካ ኢኻ "ወልድ ፍጡር ዝበልካ በሎ"። *"ትቤ ጥበብ ፈጠረኒ ኣብ መቅድመ ኵሉ ተግባሩ"* ቅዱስ እለእስክንድሮስ *"እምቅድመ ኣድባር ወአውግር ወለደኒ"* እምባታትን ኩርባታትን ቅድሚ ምፍጣሮም ወሊዱኒ። ዝብል ከድኣ በሎ ኣርዮስ እወ ይወልድ እዩ፡ ይፈጥር እዩ በሎ።

ምውላድ ምፍጣር ዝኸውን እንተኾይኑስ ስለምንታይ ንሸኻ ንዝወለድካዮ ውላድ ዘይትፈጥሮ ኢሉ ረትየ። ኤጲስቆጶስ ብውግዘት ንጉሥ ብኣዋጅ ምስ ፈለይዎ ቅዱስ እለእስክንድሮስ ብዙሓት ድርሳናት ደራሲ ብዙሓት ተግሳጻት ጽሒፉ *"ጸሎተ ሃይማኖት ክሳብ ወኣልቦ ማኅለቅት ለመንግሥቱ"* ዝብል ንምእመናን ሕንጻ መነኮሳት ዝብል ንመነኮሳት ጽሒፉ ኣብ ሃይማኖት ኣበው ስሙ ብብዝሒ ተጠቒሱ ይርከብ።

## ናይ ኣርዮስ ፍጻሜ ኣመዋውታ

ናይ ኣርዮስ ፍጻሜ ሊቃውንት ብውግዘት ንጉሥ ብኣዋጅ ምስ ፈለይዎ ተፈልዩ ኣብ ማእሰርቲ እንከሎ "ኣሚነ እየ ተመሊሰ እየ" በለ። እንተ ኣሚንካ እንተተመሊስካ ተነሚሕካ ቅዱስ ሥግኡን ክቡር ደሙን ተቐበል እሞ ክንርእየካ በልዎ። ኣብ ቤተክርስቲያን ኣትዩ ከሎ እቲ ቀዳሳይ ካህን "ኣሐዱ ኣብ ቅዱስ" ምስ በለ ኣርዮስ *"በኣማን ኣብ ቅዱስ"* በለ *"በኣማን ወልድ ቅዱስ"* ክብል ከሎ ከኣ "ያእ እዝስ ብዘይፍልጠት ነቲ ፍጡር ምስ ፈጣሪ ምትኽኻል" እዩ በለ። ሽዑ ውጽኣት ተሰሚዕዎ ከም ጤል ቀልባዕባዕ እናበለ ክሸይን ወጺኡ። *"ንዋየ ውሰጡ"* መዓንጣኡ ተዘልዚሉ ሞተ። እዚ ዝኸውን ዘሎ ንቅዱስ ኣትናቴዎስ ኣብ ዘመነ ሽመቱ እዩ። ማለት ብጸሎት ቅዱስ ኣትናቴዎስ እዩ።

***ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኵላትና ኣንበብቲ ገድሉን ሰማዕቱን ይኹን።***

***ምንጭ፡- መዝገበ ታሪኽ 1ይ ክፋል መጋቢት 1997 ዓ.ም ኣ.ኣ.ኢ ገጽ 63፡ ገጽ 64***

***ብመምህር ጎሩይ ኤርሚያስ***

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ሊቀ ጳጳስ ዘእስክንድርያ

ቅዱስ ኣትናቴዎስ ኣብ እስክንድርያ ብፍላይ ከኣ ኣብ ከባቢ ጡፍ ዝተባህለት ቁሸት ካብ ሓኪም ኣቡኡን ካብ ማርያም ኣዲኡን ብዕለት ፳ (20) መስከረም ፪፻፺፱ (299) ዓ.ም.ግ ተወልደ። ኣትናቴዎስ ማለት ዓቢ፡ ሕይወት፡ ዘኢይመውት፡ ጽሩይ ማይ፡ ብርሃነ ዓለም ማለት እዩ። ሓዋርያዊ ክበሃል ዝኽኣለ፡ ሓደ መዓልቲ ኣብ መቃብረ ቅዱሳን ጴጥሮስ ወጳውሎስ ከይዱ *"ሰላም ለክሙ ብፁዓን ሓዋርያት"* እናበለ ክጽሊ እንከሎ፡ "ለከኒ ይቤሉከ ሓዋርያ" ዝብል ቃል ሰሚዑ *"ወኮኑ*

*ኣበዊሁ ኣረማውያን*' ይብል ኣቡኡን ኣዲኡን ኣረማውያን እዮም።

እቲ ዓቢ መሓመድ ንሓምበሊ፣ ሓነፊ፣ ሸነፊ፣ መለኪ ይወልድ ንቅዱስ ኣትናቴዎስ ከኣ "ዘእምነገደ ሐነፊ" እዩ ዝብሎ ንመሓመድ ወዲ ወዱ እዩ። እዚ ንመሓመድ ወዲ ወዱ ኢልዎ ዘሎ፣ ቀዳማይ ካልእ መሓመድ ድኣ እምበር እቲ ንምስልምና ዝመሥረተ መሐመድ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ዝነበሮ ዓመተ ምሕረት ብ 299 ተወሊዱ፣ ብ 374 ከኣ ሞይቱ።

መሥራቲ ምስልምና መሓመድ ዝነበሮ ዓመተ ምሕረት ከኣ ብ620 ከባቢ እዩ። ስለዚ ንኣንበብቲ ምእንቲ ከየሸግር ዓመተ ምሕረት ዝነበርዎ ፈሊኻ ምፍላጥ ይግባእ። ንኣብነት፡- መሓመድ ጻዕዳ ኤርትራዊ ኩሉ ዝፈልጦ እዩ። ንሱ ኣብ ከባቢ ፮፻፴፯ (537) ዓመተ ምሕረት ከም ዝነበረ ኣብ ገጽ 233-234 *ታሪኽ* ዮሓንስ መጥምቕ ብሰፊሑ ተጻሒፉ ኣሎ። እዚ ስም እዚ ካብ ቀደም ኣትሒዙ ናይ ንእሽቶ እስያ ስም እዩ። ስለዚ ዘጠራጥር ነገር ኣይኮነን። መሓመድ ጻዕዳ ኣብ *ታሪኽ* ገዳም ኣቡነ ሊባኖስ ዝተገልጸ ንኣቡነ ሊባኖስ ዝቐበረ ድሓር ስሙ ብገብረ ክርስቶስ ዝብል ዝተጠምቀ እዩ። ስለዚ ከኣ እዚ ኣብዚ ተጠቒሱ ዘሎ መሐመድ እቲ መስራቲ ምስልምና ዘይኮነስ ካልእ ናቱ ሞኽሲ እዩ። "*ወውእቱ ረድኡ ለእለእስክንድሮስ*" ይብሎ።

ቅዱስ እለእስክንድሮስ ኣርድእቱ ኣኹቲሉ መንገዲ እናኸደ እንከሎ፣ ደቂ እቲ ከባቢ ሕፃናት ገዛ ገዛ ብዛዕባ ቤተክርስቲያንን ኣገልገልታን ይጸውቱ ነበሩ። ማለት ጳጳስ፣ ሊቀጳጳስ፣ ዲያቆን፣ ካህን. . . ወዘተ እናበሉ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ነቶም ሕፃናት ምሳኻትኩም እባ ክጸወት ፍቐዱለይ ይብሎም። ንሳቶም ከኣ ኣይኸውንን እዩ፣ ምክንያቱ ንሸኻ ኣረማዊ ኢኻ በልዎ። ኣሚነ ኣሸኹ ኣጥምቐኒ በሎም፣ ናይ ጸውቲ እምነት ኣእሚኖም ናይ ጸወታ ጥምቀት ኣጥሚቐም፣ ሊቀ ጳጳስ ሸምናካ ኢሎም ኣብ መንበር ኮፍ ኣቢሎም እናሰገዱሉ፣ ቅዱስ እለእስክንድሮስ ቀው ኢሉ ክሳብ መወዳእታ ይዕዘብ እሞ እቶም ምስ ቅዱስ እለእስክንድሮስ ዝነበሩ ተመሃሮ ኣንታ ዘይ ናይ ሕፃናት ነገር እዩ፣ ካብ ቆልዑት'ዶ ቁም ነገር ኣሎ'ዩ ክንድዚ ተገዲስካ ትዕዘቦም በልዎ።

ንሱ ኣይፋልኩምን እዚ ዝገብርዎ ዘለዉ ንመጻኢ ትንቢት እዩ። ማለት እዚ ሕፃን እዚ ኣቡኡ ክመውት እዩ። ሽዑ ኣዲኡ ንዓይ መሃሮን የዕብዮን ኢላ ክትህበኒ እያ። ብድሕሪይ ቀጺሉ ሊቀ ጳጳሳት ክሸየም እዩ በሎም። ግዚኡ ምስ በጽሐ፣ ኣቡኡ ሞይቱ፣ ኣዲኡ ነዚ ሕፃን'ዚ የዕብዮን መሃሮን ኢላ ሃበቶ'ሞ፣ ቅዱስ እለእስክንድሮስ ከኣ ኣብ ትሕቲኡ ሸሞ። ንሱ ምስ ሞተ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ሊቀ ጳጳሳት ተሸመ። ኣቐድም ኣቢሉ እውን ኣብ ጉባኤ ኒቅያ ፫፻፳፭(ብ325) ዓ.ም.ግ ቅዱስ እለእስክንድሮስ ኣቦ መንበር፣ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ተኻራኻራይ ናይ ኣርዮስ ኮይኖም ንኣርዮስ ረቲየም ወጊዞም ሰጐጉዎ።

## *ታሪኽ* ቅዱስ ኣትናቴዎስ ሊቀጳጳሳት ዘእስክንድርያ

ድሕሪ ሞት ቄስጠንጢኖስ ዓቢ ቄስጠንጢኖስ ንእሽቶ ነገሠ። ዓርኪ ኣርዮስ ዝኾነ ኣውሳብዮስ፣ ንንጉሥ ቄስጠንጢኖስ ንእሽቶ፣ መናፍቕ፣ "ዓሚጸም ድኣ እምበር ነገሩስ ከም ናይ ኣርዮስ እዩ ሓቂ" በሎ። ንርእሱ ኣርዮሳዊ ስለ ዝኾነ ቀጥታ ተቐበሎ።

ቄስጠንጢኖስ ንእሽቶይ ንቅዱስ ኣትናቴዎስ ኣውጺኡ ሰጐጎ። ንሸውዓተ ዓመት ዝኣክል ኣብ ስደት ጸንሐ። ድሕሪ ሸውዓተ ዓመት ክሳብ መዓስ እየ ኣብ ስደት ክነብር ብሰይፍ እንተ ሰየፈኒ ሰማዕትነት ኽቐበል፣ እንተተኻራኸረኒ ከኣ እከራኸር፣ ናብቲ ዝነበርክዎ ሃገር እንተመለስኒ ከኣ ኣስተምህር ኢሉ ተመሊሱ እንተመጽአ ስለምንታይ መጻእካ: በሎ። ቅዱስ ኣትናቴዎስ ከይፈርሀ ሓሳባቱ ገለጸ። እቲ ንጉሥ ኣነ ኣይቀትሎን እየ፣ ተጻዒሩ ይሙት ኢሉ፣ ንኣውሳብዮስ ኣብ ሓዳስ መርከብን ጥዑይ ኣውቲስታ (መራሒ) ንቅዱስ ኣትናቴዎስ ኣብ ሰባር መርከብን ዘይክእል መራሒን ሂቡ፣ ማለት እታ ኃልባ ኣቕሑታ ኩሉ ዝነቐዘ ጌሩ ናብ ባሕሪ ሰደዶም። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፣ ኣውሳብዮስ መርከብ ተሰቢራቶ ጥሒሉ ሞተ። ቅዱስ ኣትናቴዎስ ግን መላእኽቲ ብሓዳስ ኃልባ ጌሮም መንፈሳዊ ምግቢ እናመገቡ ወሲዶም ኣብ

በትኡ ኣብጽሕዎ።ድሕሪኡ እቲ ከሓዲ ንእሽቶ ቁስጠንጢኖስ ሞይቱ ካልእ ንጉሥ ነጊሡ፡ ንቅዱስ ኣትናቴዎስ ኣውጺኡ ሰጎነ፡ ኣብቲ ተሰዲዱሉ ዝነበረ ምኩራብ ጣያት ነበረ፡ ክኣቱን ክወጽእን ክርእዮ ከሎ ይሓዝን ነበረ *“መለእመ ረከብኩ ሞገሰ በቅድመ ኣምላኪየ ኢየኃድጎ ለዝንቱ ኣድራሜሌክ ምኵራብ ሰገል”* እናበለ ይጽሊ ነበረ። ንናይ ሃገረ ኣግዓዚ ሊቀ ጳጳሳት ኣባ ሰላማ ከሣቴ ብርሃን ንመጀመርያ ግዜ ዝሸመ መበል ፳ (20) ፓትርያርክ ዘእስክንድርያ እዩ። ቅዱስ ኣትናቴዎስ ን፴፯(47) ዓመታት ኣብ ሽመት ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ ደሴተ ጋግራ ተኣሲሩ ብዕለት 7 (፯) ግንቦት ፫፻፸፬ (374) ዓ.ም ኣብ መበል ፸፭(75) ዕድሚኡ ዓረፈ። ልብሱ ኩሉ ንገዳመ ኣቡነ እንጦንስ ሃቦ። እቲ ጣያት ከኣ በቲ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ዝጽልዮ ዝነበረ ጸኒሑ ዓነውነው ኢሉ ወደቐ።
ቅዱስ ኣትናቴዎስ ብዙሕ ድርሳናት ዝደረሰ ዓቢ ኣቦ እዩ። ካብቲ ኩሉ ዝጸሓፎ ንኣብነት መጽሓፈ ቅዳሴ ንዕለተ ሰንበት ዝምልከት ደሪሱ። ነዚ ዘቕረቦ ከኣ ቅዱስ ባስልዮስ እዩ።
ዕረፍቲ ናይ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ግንቦት ዕለት ፯ እዩ።
መጽሓፈ ስንክሳር ተመልከት። እዚ ቅዳሴ'ዚ ሰንበት ሰንበትን ግንቦት ዕለት ፯ን ይቕደስ።
***ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።***

- ሰላም ለኣትናቴዎስ ላዕሌሁ ተነበዩ፡
- ደቂቀ ክርስቲያን ኮሉ እንዘ ይትዋነዩ፡
- ሊቀ ጳጳሳት ዘኮነ ወምእመነ ክርስቶስ ዲበ ንዋዩ፡
- ወተሰምየ ሐዋርያዊ በኮሉ ዓያዩ፡
- ከመ ሓሳሩ ብዙኀ ወፍድፋድ ሥቃዩ፡

***ምንጪ፡- ካብ መቕድም መጽሓፈ ቅዳሴ ዝተቐድሐ።***
***ሰንክሳር ዕለት ፱ ጥቅምቲን ፯ ግንቦትን***

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ቅዱስ ባስልዮስ ሊቀ ጳጳስ ዘቂሳርያ

ባስልዮስ ማለት ማኅቶት ቤተክርስቲያን ማለት እዩ። *“ወሀለውዎ ፩ አኃው”* ይብሎ። ኃሙሽተ ኣኀዋት ነበርዎ ኣቡኡም “ኤስድሮስ” ፡ ኣዲኡም “ኤመልያ” ይበሃሉ። ሃገሩ ኣንጾኪያ እዩ፡ ዓቢ ካህን ከምዝነበረ ይፍለጥ። ማለት 5ኣወዳት፡ ሓንቲ ጓል ኮይኖም እዞም ዝስዕቡ እዮም።
ኣስማቶም ድማ፡-

1. ቅዱስ ባስልዮስ ሊቀ ጳጳስ ዘቂሳርያ
2. ቅዱስ መካርዮን ካህን
3. ቅዱስ ጎርጎርዮስ እኅው ባስልዮስ ዘኑሲስ
4. ቅድስት መካሪና ይበሃሉ።
5. ቅዱስ ጴጥሮስ ጳጳስ ዘኤፌሶን

- ቅዱስ ባስልዮስ ናይ ቂሳርያ ሊቀ ጳጳሳት
- ጎርጎርዮስ ናይ ኑሲስ ኤጲስቆጶስ
- ቅዱስ ጴጥሮስ ኣብ ኤፌሶን ጳጳስ ተሾሙ።
- ቅዱስ መካርዮን ከኣ ንጹሕ ድንግል ምሉእ መዓርገ ቅስና ዘለዎ ግን ኣይተሸመን ይብሎ።
- ቅድስት መካሪና ከኣ ብድንግልናን ሰማዕትናን ዝሓለፈት ዓ ባይ ኣደ እያ ታሪኻ ኣብ ምዕራፍ 4 (፬) ብሰፊሑ ተገሊጹ ኣሎ።
- ቅዱስ ባስልዮስ ተሸይሙ ከሎ ብዙሕ መጻሕፍቲ ጽሒፉ፡ ብዙሕ ድርሰታት ደሪሱ፡ ብዙሕ ተኣምራት ከኣ ገሩ፡ ኣብዚ ካብቲ ዝገበሮ ተኣምራት ብዛዕባ እተን 7 (፯) ይነግር።

*1ይ* ሓዉ ጴጥሮስ ሰበይቲ ተመርዕዩ ግን መልኣከ እግዚኣብሔር ብኣኽናፉ እናሓለዎም፡ ልክዕ ከም እንዳ ድሜጥሮስ ኮይኖም እናነበሩ ከለዉ፡ እቶም ሕዝቢ ምስ ሓመይዎ፡ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ጸልዩ ከም ዝግለጸምን ከምዝርድኣምን ገበረ።
*2ይ* ኣብቲ ዘመን'ቲ ብዓለውቲ ነገሥታት ተዓጽያ ዝነበረት ቤተክርስቲያን ጸልዩ ከም እትኽፈት ገበረ።
*3ይ* ሓደ ካህን ሰበይቱ ለምጻም ዝኾነት ተሓቢኡ ርክብ ይፍጽም ምስ ነበረ፡ እቲ ሕማም ለገቦ፡ ሽዑ ቅዱስ ባስልዮስ ጸልዩ ፈወሶም።
*4ይ* ሓደ ፈላስፋ ንቅዱስ ባስልዮስ ኣብ ግዜ ሕማሙ ክበጽሖ መጽአ፡ ዝተዛረቦ ዘረባ ከኣ ጥብ ዘይብል እዩ ኔሩ፡
ስለ'ዚ ባስልዮስ እስከ ዕለተ ሞተይ ንገረኒ በሎ። ንሱ ከኣ ሎሚ መዓልቲ ክትመውት ኢኻ ኢልዎ ከሎ

እንድሕሪ ዘይሞይተ ግን ብሃይማኖተይ'ዶ ትኣምን ኢሉ ቃል ኣእተዎሞ ጸልዩ ድሕሪ 3 (፫) መዓልቲ ክም ዝመውት ገበረ። ሽዑ እቲ ፈላስፋ ንሱን ቤተሰቡን ብክርስቶስ ኣሚኖም ተጠመቐ።

*፮ዮ* ታሪኽ ቅዱስ ኤፍሬምን ቅዱስ ባስልዮስን ብዛዕባ እታ ጓል ንጉሥ ኃጢኣታ እትጽሕፍ ዝነበረት ካብ ኣንድምታ ውዳሴማርያም ናይ ሰኑይ ተጠቐም።

*፯ዮ* ቅዱስ ኤፍሬም ኣብ ዓፀደ ቤተክርስቲያን እናጸለየ እንከሎ "ኤፍሬም ኤፍሬም" ኢሉ ኣጸውያ፡ ቋንቋታቶም ብጸሎት ተገላለጹ፡ ከዕልሉ'ውን ሓደሩ። ኣብ ገጽ 95 ናይ ቅዱስ ኤፍሬም ብሰፊሕ ተጻሒፉ ኣሎ።

*፰ዮ* ሓደ ባርያ ኣብ እንዳ ንጉሥ ዝሰርሕ፡ ንጓል ንጉሥ ይብህጋ፡ ክሳብ ናብ ጠንቒሊ ከይዱ ነዛ ጓል ደልየያ እየ እሞ ሠረቓ ናባይ ከም እተፍቅር ግበረለይ ይብሎ። በል ስም ክሕደትካ ጽሒፍካ ሃበኒ በሎ፡ ጽሒፉ ሃቦ። ኣብ ናይ ኣረሚን መቓብር ኬድካ፡ ገጽካ ንምዕራብ ጠሚትካ ኮፍ በል። ካብ ሕጂ ንንየው ስም እግዚኣብሔር ከይትጽውዕ፡ ገጽካ ከይተማዕትብ ኢልዎ ከይዱ ከምታ ዝበሎ ንምዕራብ ገጹ ኣብታ መቓብር ኣረሚን ተቐመጠ።

ካብ ሰይጣውንቲ ሓደ መጺኡ ኣጆኻ ዝደለኻዮ ክንገብረልካ ኢና ኪድ በሎ። ተመሊሱ ናብ'ቲ ሰራዩ ኸደ። እንቋዕ ደሓን መጻእካ ፡ እሂ እንታይ ሰሚዕካ በሎ። ዝተገብረለይ ነገር የለን ግን ሓደ ጸሊም መጺኡ ነታ ዝሃብካኒ ደብዳቤ ተቐቢሉኒ፡ "ኣጆኻ ድሌትካ ክንፍጽመልካ ኢና" በለኒ በሎ። እቲ ሰይጣን ኣብታ ጓል ሓዲሩ ልባ ብፍቕሪ እቲ ባርያ ኣቃጸላ። ክሳብ ኬድኪ ሕዝዮ ዝብላ ውን ኮነ። ንወለዳ ከይሓፈረት ከተመርዕዉኒ ከሸኹም ነዚ ኢኹም እተመርዕዉኒ በለቶም። ንሳቶም ንሸኪ ጓል ንጉሥ ንሱ ባርያ፡ ስለምንታይ እንተበልዋ እሞ ኣነ ፈትየዮ ኣለኹ በለቶም። ብዝሓበረቶም መሠረት ኣመርዓውዋ ንነዊሕ ግዜ ኣብ ሓዳራ ጸንሐት። ድሓር ግን እንታይ ኮይነ እየ ናብ ባርያ ዝተመርዓኹ ኢላ ጠርጢራ፡ ቤተክርስቲያን እባ ኻኺድ በለቶ። ንሸኪ ኪዲ ኣነ ካልእ መዓልቲ ክኸይድ እየ ይብላ። ቅዱስ ሥግኡን ክቡር ደሙን ንቀበል ትብሎ ንሸኪ ተቐበሊ ኣነ ካልእ መዓልቲ ክቐበል እየ ይብላ። ስለምንታይ ኢኻ ክምዚ እትብለኒ በለቶ። ንግዚኡ ሰዊሩላ ድሓር ግን ኣጸቢቕ ብሕቶ ምስ ኣጨነቐቶ ኩሉ ዝገበሮ ካብ መጀመርታ ክሳብ መፈጸምታ ነገራ። ሽዑ ከይዳ ንቅዱስ ባስልዮስ ነገረቶ፡ ቅዱስ ባስልዮስ ሒዝክዮ ምጽኢ በላ። ሒዛቶ መጽአት፡ እስከ ንገረኒ በሎ ከየትረፈ ኩሉ ነገሮ። ክትድሕን ትደሊ ዲኻ በሎ። ክድሕን ምፈቱኹ እንተኾነ እቲ ናይ ክሕደተይ ደብዳቤ እቲ ሰይጣን ወሲዱዎ ከሎ ከመይ ጌሩ ክምለስ እምበር እወ ክድሕን ምፈቱኹ በለ። ኣጆኻ ኣምላኽ ፈታው ንሥሓ እዩ፡ ጽናዕ ጨክን ኢሉ፡ ኣብ ሓደ ጸልማት ገዛ የእትዩ ኣብ ሣልስቲ ምግቡ እናሃበ ከመይ ኢልካ ቀኒኻ ይብሎ።

- ኣብ ቀዳማይ ሳልስቲ እቲ ደብዳቤ እናኣርኣዩ ናበይ ገዲፍካና ክትከይድ ኢኻ እናበሉ ከትኪቶሙኒ መከራ በርቲዑኒ ኣሎ በሎ።
- ኣብ ሻዱሻይ መዓልቲ ከይዱ ከመይ ቀኒኻ እንተበሎ ሎሚ እቲ ምኽትካት ቁሩብ ዕግስ ኢሎም በሎ።
- ኣብ ታሽዓይ መዓልቲ ከመይ ኣሎኻ እንተበሎ ሎምስ ኃኽወጽኡ ቁሩብ ተሪፉዎም ኣብቲ ጥቓ ማዕጾ በጺሖም በሎ።
- ኣብ መበል ፲፪ (12) መዓልቲ ከይዱ ከመይ ኢልካ ቀኒኻ በሎ: ሎሚስ ካብዚ ቤት ወጺኦም፡ በሎ።
- ኣብ መበል ፲፭ (15) መዓልቲ ከይዱ ከመይ ኢልካ ቀኒኻ እንተበሎ ሎምስ ቁሩብ ርሕቐ ኢሎም ኢልዎ፡ ድምጾም ደኣ እምበር ኣካሎምስ ኣይርእዮምን።
- እናበለ (፵) 40 መዓልቲ ምስ ኣኸለ ከይዱ ከመይ ኢልካ ኣሎኻ እንተበሎ ምሳኻ ክቃለስ ንሸኻ ሓፍ ኣቢልካ ፈጠቐ ከተብሎ ርእየ በሎ።

በል እግዚኣብሔር ኃጢኣትካ ይቕረ ኢሉልካ እዩ ኢሉ ካብኡ ኣውጺኡ ካህናትን መነኮሳትን ኣኪቡ ፬፻ (400) እግዚኣታ ኣብጺሑ። ኣብዚ እዋን እዚ ባስልዮስ ስቐ ኢልካ ኣይተሸግረኒ ዕረፍ፡ "ኣይተጨንቐኒ፡ ዕረፍ" ኢሉ እናረኣዮ መጺኡ ነታ ደብዳቤ ንቅዱስ ባስልዮስ ደርበየሉ። ***" በዛቲ ዕለት ገብረእግዚኣብሔር በእደ ባሰልዮስ መንክረ። በፍቅረ ኣሐቲ ወለት ጎበ መሠርይ ዘሐረ። እንዘ ያርኢ በቅድመ ሕዝብ መጽሓፈ ክህደቱ ሥዉረ። እምእደ ሰይጣን ኣንገፈ ወጼወወ ገብረ።"***

ቅዱስ ባስልዮስ ተሸይሙ እንከሎ ብዙሕ ጽሒፉ ብዙሕ'ውን ደሪሱ፡ ንኣብነት፡- መጽሓፈ ቅዳሴ ዘባስልዮስ ኣቕራቢኡ ባዕሉ ቅዱስ ባስልዮስ እዩ።ዕለተ ዕረፍቱ ጥሪ ዕለት 6 (፮) እዩ።

***ጸሎቱን በረኵቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።***

" ሥዕለ ኣሐቲ ብእሲት ኣመ ባስልዮስ ተወክፈ። ደምሰሰ በሕይወቱ ዘኃጣውኢሃ መጽሓፈ። ድጎረ ሞቱሰ ኣሐደ ዘተርፈ" ክም ዝበለ ደራሲ ስንክሳር

እዚ ቅዳሴ ናይ ቅዱስ ባስልዮስ ዝቐደሰሎም ዕለታት ተዝካረ (ሊቃውንት) ሊቃነ ጳጳሳት፣ ካህናት-ነገሥት፣ ዕለት 6 ጥሪ ዕረፍቱ እዮም።

ምንጪ፡- አንድምታ ቅዳሴኡ

ስንክሳር ዕለት 6 (፮) ጎዳርን፣ ስንክሳር ዕለት 13 (፲፫) መስከረምን

✠ ✠ ✠

## ሓጺር ታሪኽ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ኤጲስ ቆጶስ ዘቆጵሮስ

ኤጲፋንዮስ ማለት ከሳቲ፣ ኣርሓዊ፣ ኣስተርእዮ ማለት'ዩ። ኣቡኡን ኣዲኡን ኣረማውያን ኣብ ርእሲ ምንባሮም ድኻታት ኢዮም ኔሮም። ኣቡኡ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ሕፃን እንከሎ እዩ ሞይቱ። ብዘይካ ሓደ ኣድጊ ካልእ ጥሪት ኣይነበሮምን። በቲ ሓደ ኣድጊ ጌሮም ከኣ ንሱን ሓፍቱን ኣዲኡን ይግልገሉ ነበሩ። ይኹን እምበር እቲ ኣድጊ ኻኹላቶም ልዕሊ ዕቕሞም ኮይኑ ምጽዓን ምስ ኣበዮም ኣዲኡ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ንዓ እዚ ወደይ ነዚ ኣድጊ ሽጠ እሞ ገንዘብ ሒዝካ ምጻእ ኢላ ለኣኸቶ። ኣብቲ ዕዳጋ ሓደ ዝገዝእ ሰብ "በዓል ኣድጊ" ኢሉ ናብቲ ኣድጊ ቅርብ እንተበለ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቐሰ እቲ ኣድጊ ጠባይ ስለዘይነበሮ ነቲ ክገዝእ ኢሉ ዝቐረበ ሰብ ነዲሑ ረገጾ እሞ ሞተ *"ወረገጸ ማእከለ ምሕኩልቱ"* ይብሎ። ምሕኩልቱ ረጊጹ ቀተሎ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ከኣ በቲ ዘጋጠመ ነገር ደንገጸ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣባ ፊሎጎስ ዝተባህለ ጻድቕ ኣብ ጥቓኡ ኣብቲ ዕ ዳጋ ብሥዉር ይዘዋወር ስለዝነበረ። ነቲ ኣድጊ ረጊጽዎ ዝሞተ ሰብ ብስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣተንሥኡ። ነቲ ኣድጊ እውን ሞት ይግብኣካ እዩ ብምባል ኣማዕቲቡ ከም ዝመውት ጸለየ እሞ ሞተ። እቲ ካብ ሞት ዝተንሥአ መን ኣተንሚኡካ እንተተባህለ፣ ካብ ዓሌት ኣይሁድ ስለዝነበረ፣ እቲ ኣቦታተይ ዕሩቅ ብእሲ(ፍጡር) ኢሎም ሰቒሎም ዝቐተልዎ ናይ ኣባ ፊሎጎስ ኣምላኽ እዩ ኣተንሚኡኒ ኢሉ መስከረ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ነዚ ኩሉ ሓደ ብሓደ ዝረኣዮ ነዲኡ ከይዱ ነገራ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ሓደ ሃብታም ኣይሁዳዊ ኣኪ ነበሮ እሞ፣ ክመውት እንከሎ ሃብቱ፣ ንብረቱ፣ ጥሪቱ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ኣውሪስዎ ሞተ።

ቅዱስ ኤጲፋንዮስ በቲ ዝረኸቦ ገንዘብ መጻሕፍቲ ማለት መጻሕፍቲ ብሉያትን ትንቢታተ ነብያትን ገዚኡ ብመንፈሳዊ ጥበብ ኣዝዩ ፍሉጥን ጥበበዐን ፈላስፋን ምሁርን ኮነ። ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ኣባ ሉክያኖስን ኣባ ፊላታዎስን መንገዲ ክኸዱ እንከለዉ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ደድሕሪኦም ተኸቲሉ ክኸይድ እንከሎ ኣብ ዝኸድዎ ዝነበሩ መንገዲ ሓደ ድኻ ብስም እግዚኣብሔር ለመኖም፣ ኣባ ሉክያኖስ ግን ዝወሃብ ነገር ምስ ሰኣነ፣ እታ ተኸዲንዋ ዝነበረ ዓጽፊ(ካባ) ኣውጺኡ ነቲ ድኻ ምስ ሃቦ ካብ ሰማይ ጻዕዳ ዓጽፊ ወሪዳትሉ ማቴ5፡42 ክኸደን ከሎ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ተገልጸለ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ንኣባ ሉክያኖስ ኣጠምቐኒ ኢሉ ኣብ እግሩ ይወድቕ። ኣባ ሉክያኖስ ከኣ ብጸጋ እግዚኣብሔር ከም እተመርጸ ብምርኣይን ብምርዳእን ንኣባ ኢላርዮስ ኣረጋዊ ወሲዱ ሓደራ ሃቦ። ድሕሪኡ ኣባ ሉክያኖስ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ምስ ኃፍቱ ኣብቲ ገዳም ወሲዱ ኣጠመቕዎ። ብዛዕባ ሥርዓታት ማለት ሥርዓተ ሃይማኖት፣ ሥርዓተ ገዳምን ምንኩስናን ዝመሃሮ ግን ኣባ ኢላርዮስ እዩ። ኣባ ኤላርዮስ ዝተባህለ ኣረጋዊ ብገድሉ ጎበዝ፣ ብዕ ድሚኡ ውን ዓቢ ፈላሲ (ባሕታዊ) ነበረ ይብሎ። ቤትካ ኣብ ፊት ቆጵሮስ ሰሪሕካ ተቐመጥ በሎ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ከምታ መምህሩ ዝበሎ ቤቱ ኣብ ከባቢ ደሴተ ቆጵሮስ ሰሪሑ ይነብር ነበረ። ከምዚ ኢሉ ከሎ ብሠለስተ መዓልቲ ካብ ምንኩስና ክሳብ ክህነት ሸሞ። ኣባ ኢላርዮስ ናይ ቆጵሮስ ሊቀ ጳጳሳት ስለ ዝነበረ ኣቐዲሙ ብትንቢት (ክልተ) ሕጻናት ኣኸቲሉ ክልተ ናይ ወይኒ ፍረ ዘለላ ሒዙ ንዝመጽእ ኤጲፋንዮስ ኢልኩም ጸዊዕኩም ንዕኡ ናተይ መተካእታ ክኸውን ብድሕሪይ ሸምዎ ኢሉ ተላብዩ ሞተ። ብዕለት 17 (፲፯) መስከረም ከኣ ሸምዎ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ሓደ ዓቢ ሊቅ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ዝተባህለ ኣቦን ንግሥት ኣውዶክስያን ዝተባህሉ ነበሩ። እዛ ንግሥት እዚኣ ናይ ሓንቲ ድኻ መሬት ብዓመጽ ኣግዲፋ ነበረት እሞ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ምለስላ እንተበላ ኣበየቶ ንሱ ከኣ ወገዛ።

እዛ ንግሥቲ እዚኣ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ከምዚ ኢሉኒ ኣሎ እሞ ዝኾነልካ እንተኾይኑ ስራሕካ ስራሕ ማለት ንዮሓንስ ተመለስ በሎ። እንተዘይኮነ ኣነ ልክዕ ከምታ ናይ ኣቦይ ዲዮቅልጥያኖስ "ኣብያተ ክርስቲያናት ይተዓጸዉ፣ ኣብያተ ጣዖታት ይረሓዉ" ኢለ ክእውጅ እየ፣ ኢላ ናብ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ለኣኸት።

ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ከኣ ቁሩብ የዕሪፍና እንተበልናስ ከምዚ ዝበለ ነገር መጺኡ ኢሉ እናሓዘነ (ብጓሂ) ከይዱ ሕደጊ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ዝበለኪ ግበሪ በላ፣ ኣይከውንን በለቶ። ከምኡ እውን

ናብ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ከይዱ እዚ ሓወይ ምእመናን ካብ መከራ የዕሪፎም እንተበልናስ በዚ ምኽንያታት'ዚ መከራ እንተመጽአ ጽቡቕ ኣይኮነን እሞ ንዓ ሕደጎ ፍትሓያ እንተበሎ፡ ኣይፈትሓን እየ በሎ። "ጐይታ እኮ በብርስቑም ንበሩ እዩ ዝበለ። ርስቲ ምድር ኣግዲፉ ርስቲ ሰማያት ክትወርስ ድያ፡ ዋላ እቲ ናይ ቀደም ናይ ኣቦታታ ዘመን እንተ ኣምጽኣቶ እውን ንዓ ኣ ይገዳ እምበር ኣነ እንታይ ሸገረኒ" በሎ።

ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ምስ ንጉሥ ክሰናበት ኣተወ። ሽዕኡ ንግሥቲ ኣውዶክስያ ብዘይኮነ ነገር ብሓሶት ትርእዩ ኣሎኹም ንዓይ ጥራይ ከይኣክሎስ ንኤጲፋንዮስ ከኣ እንተተዛረቦስ ወጊዝዎ፡ ብምባል ከተውሪ ጀመረት።

ሽዑ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ምስ ሰምዐ ሓቂ መሲልዎ ንዘይፈለጠ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ስለምንታይ ኣብ ነገረይ ትኣቱ ብምባል ወቐሶ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ከም ዘይወግሎ ገለጸሉ። ልዑል እግዚኣብሔር ናይ ክልቴኦም ቅዱሳን ክብሪ ምእንቲ ክገልጽ ናይ ቅዱስ ዮሓንስ ሞት ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ናይ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ሞት ከኣ ንቅዱስ ዮሓንስ ገለጸሎም እሞ ቅዱስ ዮሓንስ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ናብ በዓትኻ ከይኣኾካ ኣብ መንገዲ ብኣንበሳ ተሰቢርካ ክትመውት ኢኻ ኢሉ ተነበየሉ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ከኣ ናይ ዮሓንስ ሞት ተገሊጹሉ ንሰኻ እምበኣር ኣብ ደሴተ ኣጥራክያ ተኣሲርካ ኣብ ማእሰርቲ ተሳቒኻ ክትመውት ኢኻ በሎ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ልክዕ ከምታ ትንቢት ኣብ መንገዲ እናኸደ እንከሎ ናብ በዓቱ ከይኣተወ ኣንበሳ መጺኡ ሰቢሩዎ ሞተ። ንዓሠርተ ሓደ(11) መዓልቲ ምስ ጸንሐ ደቂ መዛሙርቱ ክቐብርዎ እንተበሉ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ብኽሕደቶም ዝወገዞም ዲያቆናት ካብ መዓርጎም ዘውረዶም ሰባት፡ ኣይነቐብርን ኢሎም ስለ ዝሃወኹ እቲ ዓስከሬን ን፬(40) መዓልቲ ከይተቐብረ ኣብ ቤተክርስቲያን ጸንሐ። እቲ ሬሳ ከይተለወጠ ብዙሕ ተኣምራት እናገበረ ማለት ምዉቱ እናኣተንሥአ፡ ሕሙም እናፈወሰ ኣርብዓ መዓልቲ ምስ ገበረ፡ እቶም ዲያቆናት ዝፈጸሞ ተኣምራት ብምርኣይ ኣሚኖም ግንቦት ዕለት ፲፯ (17) ዝዓረፈ ሰኔ ዕለት ፳፯ (27) ተቐብረ።

**<u>ዝደረሶም ድርሰታት መጻሕፍቲ</u>**

- መጽሓፈ ቅዳሴ ዘኤጲፋንዮስ። ገድል ተረፈ ኤጲፋንዮስ ዝተባህለ። ኣብ ሃይማኖተ ኣበው ብብዝሒ ስሙ ተጠቒሱ ይርከብ፡ ኣብቶም ዝደረሶም ድርሰታት ስለ ሓድነትን ሰለስትነትን ቅድስት ሥላሴ፡ ስለ ጥበብ ሥጋን ስለ ደመናት፡ ዝናማት፡ ስለ ማያትን ነገሥታትን ስለ ፍጥረታት ኣተሓባቢሩ ጠቒሱ ይርከብ። እዚ መጽሓፈ ቅዳሴኡ ኣብ ጸሎተ ሓሙስን ኣብ ዘመነ ክረምትን ይቐደስ። ነዚ ቅዳሴ'ዚ ዘቐረቦ ቅዱስ ባስልዮስ ዘቂሳርያ ኢዩ።
- ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ፍሉይ መንፈሳዊ ሊቅ ብምኻኑ ቤተክርስቲያንና እትምክሓሉ ኣቦ እዩ።

***ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን!***

- ሰላም እብል በቃለ ስብሐት ወይባቤ፡
- ለከናፍሪሁ ሙሓዘ ከርቤ፡
- ኤጲፋንዮስ ከዊኖ በመንፈስቅዱስ ነባቤ፡
- እም ኣመ ረሰይኩ ኣስኬማ መላእክት ግልባቤ
- ውስተ ልብየ እኪተ ኢያኅ ደርኩ ይቤ።

***<u>ምንጭ</u>፡- መቅድም መጽሓፈ ቅዳሴ ኤጲፋንዮስ ኣንድምታ፡ ሰንክሳር ግንቦት ዕለት ፲፯ (17) ሰኔ።***

✠ ✠ ✠

## <u>ታሪኽ ቅዱስ ጎርጎርዮስ እኁሁ ባስልዮስ ዘኑሲስ ነባቤ መለኮት</u>

ጎርጎርዮስ ስም ኣቡኡ ኤስድሮስ ኣዲኡ ኢመልያ ይብሃሉ። ሃገሩ ቂሳርያ ኮይኑ ካብቶም ፬(4) ኣሕዋት ቅዱስ ባስልዮስ ሓደ እዩ። ብዕለት ፲፯ (17) ጥቅምቲ ተወልደ። ሃገሩ ኑሲስ ዝተባህለት ደሴት እያ። ጎርጎርዮስ ማለት ንቑሕ፡ ትጉሕ፡ እቁብ፡ ዕጉሥ፡ ጥንቁቕ ማለት እዩ። ዝተረፈ ታሪኹ ከም ቅዱስ ባስልዮስ እዩ።

መቅደንዮስ መንፈስቅዱስ ሕጹጽ፡ ኣቡሊናርዮስ ሥጋ ደኣ እምበር ነፍስስ ካብ ማርያም ኣይወሰደን፡ ኢሎም ኣብ ዝተንሥኡሉ ግዜ ኣብ ዘመን ንጉሥ ቴዎዶስዮስ ዘየዓቢ ኣብ ቍስጥንጥንያ ንዕለት 1 (፩) ለካቲት ፫፻፹፩ (381) ዓ.ም.ግ ጉባኤ ክኸውን ተኣወጀ። በዚ ምኽንያት'ዚ ፩፻፶(150) ሊቃውንቲ ኣብ ዝተኣከቡሉ ዋና ወዳእን ተኻራኻሪን ዝነበሩ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ዘኑሲስን ጢሞቴዎስ ዘኣልቦ ጥሪትን እዮም ነይሮም። ረቲያም ኣወጊዞም ፈልዮም ጸሎተ ሃይማኖት ክሳብ ወነአምን በመንፈስ ቅዱስ ፫፻፲፰ ርቱዓነ ሃይማኖት ደረሶም፡ ካብ'ዚ ንንየው ዘሎ ከኣ ብበዓል ቅዱስ ጎርጎርዮስ ፩፻፶(150) ሊቃውንቲ ኣብ ቍስጥንጥንያ ተደረሱ።

ቅዱስ ጎርጎርዮስ ብዕለት ፳፮(26) ጎዳር ሊቀ ጳጳሳት ተሸይሙ፡ ክቐድስ እንከሎ መንፈስቅዱስ በኣምሳለ ርግብ ክወርድ እናረኣየ ብተመስጠ ይልወጥ ነበረ፡ ንብዓቱ ሓደ ሸሓኒ ዝኣክል ይመልእ

ነበረ፡ ብዙሕ'ውን ይበኪ ነበረ። ብንጽሕናኡን ብተግባሩን ናብ ከዊነ መልኣኽ ተለዊጡ ነይሩ። ንሓደ ሰዓት ዝኣክል ስኻ ይብል ነይሩ። እቶም ሕዝቢ ከኣ ሥጋዊ ድቃስ ዝመጽኦ መሲልዎም ይርእይዎ፡ ተመሊሱ ከኣ የቕሩቦም።

ካብ ብዝሒ ገድሊ ዝተላዕለ ከም ቅዱስ ሉቃስ ልቡ ይሓምም ነበረ። ቅዱስ ባስልዮስ ሓዉ ክበጽሖ ኢሉ ምስ ከደ ከም ቀደሙ ክቕድስ ኣትዩ፡ ተመስጠ መጺእዎ ቅድስት ድንግል ማርያም ወላዲተ ኣምልኽ ተገሊጻ ሞትካ (ዕረፍትኻ) ምሳይ ዕለት ፳፩ (21)ጥሪ እዩ በለቶ፡ ወጺኡ ንሓዉ ቅዱስ ባስልዮስ ነዞም ሕዝቢ ሓደራኻ ኣብ ምድሪ ዝሃብኩኻ ኣብ ሰማይ ከም እተረክበኒ ኢልዎ ኣብታ ግዜ እቲኣ ዓሪፉ።

<u>ዕረፍቱ</u> ጥሪ ፳፩ (21)ቅዳሴ ቐዲሱ ክወጽእ፡ ኣብ ናይ ግሊ ጸሎቱ እንከሎ ጥሪ ፳፩ (21)ሰንበት መዓልቲ ዓረፈ።

<u>ድርሰት፡-</u> ብስሙ ዝጽዋዕ ቅዳሴ፡ ገድለ ጎርጎርዮስ ዝብሃል ኣሎ። ደራሲ፡ ኣስተምሃሪ፡ ትንቢት ተናጋሪ እዩ ነይሩ። ነዚ ቅዳሴ'ዚ ኣቕራቢኡ ቅዱስ ባስልዮስ ሓዉ እዩ።

- ሰላም ለጎርጎርዮስ በአእዳው ኪሩብ ዘተሐቅፈ፡
- ጊዜ የዓርግ ለሊሁ ቅዳሴ ቀሪባን ውኩፍ፡
- ከመ ማርያም ትቤሎ እንዘ ትከስት አፈ፡
- እስመ መሰሎሙ አርአያ ዘይነውም ዘልፈ፡
- ሶበ አንቅሕዎ ተረክበ ዕሩፈ።

***ጸሎቱን በረሽቱን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።***

ምንጭ፡- ስንክሳር ዕለት ፳፩ (21)፡ መቕድም ኣንድም ቅዳሴ ጎርጎርዮስ፡ ናይ ቅዱሳን ታሪኽ 1998 ዓ.ም.ግ ኣ.ኣ.ኢ። እዚ ናይ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ዘኡሲስ ዝቕደሶ ዕለታት ካብ ኒቆዲሞስ ረቡዕ ክሳብ ሆሣዕና ዘሎ እዩ።

✠ ✠ ✠

## ሓጺር ታሪኽ ቅዱስ ዮሐንስ ኣፈወርቅ ሊቀ ጳጳስ ዘኣንጾክያ

ዮሐንስ ማለት ፍሥሐ ወሓሴት፡ ርህራሄ ወሣህል ማለት እዩ። ሃገሩ ኣንጾክያ እዩ፡ ኣቡኡ ኣሰፋኒዶስ ኣዲኡ ኣትናስያ ይበሃሉ። *“ወኮኑ እምብዑሳነሃ ለይእቲ ሀገር”* ይብሎም ንኣቴና ወሪዱ ሥጋዊ ትምህርቱ ተማሂሩ ዝለዓለ ነጥቢ ረኸበ። ከምኡ'ውን ዓለማዊ ትምህርቲ ብጽቡቕ ከምዝወዳእኩ መንፈሳዊ ትምህርቲ ከኣ ክመሃር እየ ኢሉ። ቅዱስ ባስልዮስ ኣብ ዝነበረሉ ገዳም ኣተወ።

ድሕሪኡ ወላዲኻ ሞይቱ ኢሎም ነገርዎ፡ ተመሊሱ ካብቲ ናይ ወላዲኡ ገንዘብን ንብረትን ንዕኡ ከየትረፈ ኩሉ ንድኻታት ብምምጽዋት ብዙሕ ትሩፋት ክሰርሕ ጀመረ። *“ወኮነ ሲሲቱ መጠነ ሲሲተ ዖፍ”* ይብሎ። እቲ ዝምገቦ ዝነበረ ቆሎ ስገም ምስ ሓሰር ንፋዩ እዩ። ኣብቲ ንሱ ዝነበረሉ ገዳም ሲሲኮስ ዝተባህለ ጸዋሚ፡ ተሓራሚ፡ ዓቢ ባሕታዊ ነበረ። ቅዱስ ዮሐንስ ኣብ ዘለዎ ቤት ኣትዮም ቅዱስ ጴጥሮስ ሊቀ ሓዋርያት መፍትሕ ናይ መንግሥተ ሰማያት፡ ቅዱስ ዮሐንስ ወንጌላዊ ከኣ ቀዳሚሁ ቃል ዘለዎ ወንጌል ክህብዎ ብራእይ ርእዩ፡ ናይ ኣንጾክያ ሊቀጳጳሳት ከም ዝሸየም ፈለጠ። ቅዱስ ዮሐንስ ኣፈወርቅ እንተኾነ እውን ብወገኑ ይፈልጥ ነበረ። ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ለይቲ እናጸለየ እንከሎ መልኣኽ ተራእዮ። ደንጊጹ ወደቐ። ኣጆኻ ተንሥኣ፡ ካብ እግዚኣብሔር ተኣዚዘ፡ ክትገብሮ ዝግብኣካ ክነግረካ እየ መጺኡ በሎ።

እቲ ናይ ኣንጾክያ ሊቀጳጳሳት ዝበለካ ከይትኣቢ ዝበለካ ኩሉ ሕራይ በሎ በሎ። ንጽባሒቱ እቲ ናይ ኣንጾክያ ሊቀ ጳጳሳት መኣርገ ክህነት ተቐበል ይብሎ እሞ ቅዱስ ዮሐንስ ከኣ ኣበየ፡ ብግዲ ሸሞ።

ድሕሪኡ እቲ ናይ ቀኖስጥንጥንያ ሊቀ ጳጳሳት ምስ ሞተ ኣብ ቀኖስጥንጥንያ ሊቀ ጳጳሳት ተሸመ። ንሱ ተሸይሙ እንከሎ ኣርቃድዮስ ንጉሥ ፈታዊኡ ኢዩ ነይሩ። እናኸደ ይሓቶ ነይሩ። ንቅዱስ ዮሐንስ ክረክቦ እንከሎ እቲ ዝሓሰቦ ሕቶ ይጠፍኦ፡ ምስ ተፈላለዩ ይዝክሮ፡ ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ምስ ተራኸቡ ሕቶ ነይሩኒ ንዓኻ ክረክበካ እንከለኹ ይጠፍኣኒ፡ ካባኻ ምስ ተፈለኹ ከኣ ዝዝክራ ሕቶ፡ ወንጌላዊ ቅዱስ ማቴዎስ ኣብ መበል ፪፥፭፮ ምዕራፍ *“ወኢያእመራ እስከ ኣመ ወለደት ወልደ ዘበኵራ”* *“ኣእመርዎን እደው ለኣንሰት”* ከምዝበሎ ድሕሪ ወዲ ምውላዱስ ተራኺብዎ ድዩ፡ ኢሉ ሓተቶ። ቅዱስ ዮሐንስ *“ከመዝ ኢትብል ኦ ንጉሥ”* ትርጉሙ ከምኡ ኣይኮነን። ንጉይታ ጠኒሳ እንከላ ብዙሕ ሕብሪ ትንቢት ዝንገረላ፡ ብዙሕ ሕብሪ ኣምሳል ዝተመሰለሉ ጉይታ ከም ዝጠነሰት ንምርዳእ መልክዓ እናተለዋወጠ ይረኣዮ ነይሩ። ንጉይታ ካብ እትወልድ ንደሓር ግን፡ ብሓደ ሕብሪ መልክዕ ኣላልዩዋ (ፈሊጥዋ) ማለት እዩ ኢሉ ተርጉመሉ። ኣብ መስኮት ዝነበረት ሥእሊ ናይ ቅድስት ድንግል ማርያም ወሪዳ 3 (ቮ) ግዜ ኣብ ርእሱ ዑደት ፈጺማ *“ሠናየ ተናገርከ ዮሐንስ ኣፈወርቅ፡ ዮሐንስ ልሳነወርቅ፡ ዮሓንስ ዕንቈ ጳዝዮን”* ኢላ ናብ ቦትኣ ተመልሰት።

ሽዑ እቲ ንጉሥ ንመዘከርታ ካብቲ ዝጸረየ ወርቂ ኣብ ንፉዕ ኣንጠረኛ ክልተ ልሳናት (መልሓሳት) ኣስሪሑ ሓደ ንንጉሥ፣ ሓደ ኣብ ጥቓ እታ ሥእሊ ኣቐመጠ። ሰበይቲ ንጉሥ ኣውዶክስያ ትበሃል። ውላድ ይወልዱ እሞ እናሞትዎም ብዙሕ ግዜ ምስ ኮነ፣ ስለምንታይ እዮም ዝሞቱና፧ ኢሎም እንተሓተቱ እቶም ዝተሓቱ ሰባት ብቐዕ ካህን ስለ ዘየጠመቐዎም እዮም ዝሞቱ ዘለዉ በልዎም። እሞ ዓቢ ሰብ ድኣ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ዘይንጽውያ ብምባል ከጥምቐሎም ጸውዕዎ። ኣብ መንገዲ ነታ ዝተወልደት ጓል ከጠምቓ እናኸደ ንዓኣ ክቐትል ንዝመጽአ መልኣኽ ኣብ መንገዲ ይረኽቦ። ናበይ ደኣልካ ኢሉ ምስ ሓተቶ ነዛ ጓል ንጉሥ ኣርቃድዮስ ነፍሳ ካብ ሥጋኣ ክፈሊ እየ ብእግዚኣብሔር ተኣዚዘ በሎ።

በል ጥምቀት ክርስትና ኣይተቐበለትን እሞ ሓንሳብ ጽናሕ በሎ። በዚ ምኽንያት ን ፲ (10) ዓመታት ዝኣክል ጠጠው በለ ማለት ቅዱስ ዮሓንስ ኣጠሚቕዋ ናይ ካህናት መዓርግ ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲ ምኻኑ ንምርዳእ፣ ንሱ ከይሓሰቦ ብኻልእ መንገዲ ጌሩ ናብ ቦትኡ ተመሊሱ። እታ ዘጥመቓ ጓል ፲ (10) ዓመት ምስ ኮነት ንኣካለ መጠን ምስ በጽሐት መርዓ ኢሎም ልኢኾሙሉ በታ ናይ ቀደም ቀዳመይቲ መንገዱ እንተመጽአ ጠጠው ኢሉ ይጸንሐ። እሂ ድኣ እንተበሎ፣ ሓንሳብ ጽናሕ'ዶ ኣይበልካንን በሎ፣ እሞ ወጊዘካ ድየ ዘይ ሓንሳብ ክሳብ ዘጥምቓ እየ ዝበልኩኻ እንተበሎ። ናይ ካህናት ቃል ኣዝዩ ክቡር ስለዝኾነ ንቓልካ ክጥሕሶ ኣይፈተኹን።

*“ሰላም ለከ ዮሓንስ እንተ ኣፍቀርከ ሰደተ፣ እምይሳተፍ በቍርባን መፍቀሪተ ግፉዕ ንግሥተ፣ እምነ ኣፉሁ ዘወርቅ ሰሚያ ግዙተ። እንበለ ይዕርግ ላዕለ ወእንበለ ይረድ ታሕተ፣ መልኦከ ሰማይ ቆመ ዓሠርተ ዓመተ”* ይብል ስንክሳር በል በዲለ እየ ኪድ ዝተኣዘዝካዮ ፈጽም በሎ። ከይዱ ከምቲ ዝተኣዘዞ ነታ ሕፃን ነፍሳ ካብ ሥጋኣ ፈልዩ ሒዝዋ ከደ። ቅዱስ ዮሓንስ እንተኸደ ወየ ጓል ሞይታ ወለዳን ቤተሰባን ክሰኽዩ ጸንሕዎ። ሕደጉ ንሳስ ካብ ጸቢብ ናብ ርሒብ፣ ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ከይዳ እምበር ናብ ክፉእ ኣይከደትን ክሳብ ሕጂ ክትጸንሕ ዝኸኣለት እውን ብኸምዚ ዝኣመሰለ ምኽኒት እዩ እምበር ቅድሚ ፲ (10) ዓመት እዩ ተኣዚዙ ነይሩ ኢሉ ኣጸናንየም።

ኣውዶክስያ *“ገፋኢተ ኦዳይ”* ይብላ። ከም ዝፍለጥ ንሓንቲ ድኻ መበለት ርስታ ኣግደፈታ፣ እታ መበለት ከኣ እዛ መሬት እዚኣ ናይ ኣቦሓጎታተይ፣ ኣብ ዓመት ፫ (3) ግዜ እተፍሪ፣ ኣብ ከተማ ብምህላዋ ኣነ ኣይህበክን እየ ትብላ። ንግሥቲ ኣውዶክስያ ግን ብኃይሊ ኣሕደገታ፣ ኣብዚ እዋን እዚ ንጉሥ እንተ በዲልዎም ሰባት ናብ ሊቀ ጳጳሳት እዮም ዝኸዱ ነይሮም። እዛ መበለት እዚኣ ከኣ ናብ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ከይዳ እቲ ዘጋጠማ ኵነታት ኩሉ ትነግሮ። ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ኩሉ ኣረጋጊጹ፣ ንንግሥቲ ግደፍላ ኢሉ ይልምና፣ እታ ንግሥቲ ስማዕ፣ መሬት እንተደልያ መሬት፣ ገንዘብ እንተደልያ ገንዘብ ክህበኪ ምረጺ ኢለያ እየ በለቶ። እቲ መንግሥቲ ሒዝናዮ ዘሎና እኮ ንሕና ኢና እምበር ንሳ ኣይኮነትን።

ንሱ ከኣ በሊ ርስቲ ምድሪ ኣግዲፍኪ ርስቲ መንግሥተ ሰማያት ክትወርሲ ኣይትኽእልን ኢኺ ኢሉ ካብ ማሕበረ ምእመናን ፈለያ(ኣወገዛ)። ሽዑ ናብ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ስምዕታ ትልእኽ። ካብ ናይ ኤጲፋንዮስ ታሪኽ ገጽ 79-81 ተመልከት። ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ብነውርነቶም ፈልዎም ዝነበረ ኤጲስ ቆጳሳት ነበሩ። ንንጉሥ፣ ንንግስቲ ክጸርፍ ዘይዓርፍ፣ እስከ ፍረዱ ትብሎም። እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ክእሰር ይረኣየና ኢሎም ፈረዱ ደሴተ ኣጥራክያ ተኣሲሩ ኣብኡ ኣብ ማሕዩር ሞተ።

ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ምስ ሞተ ሕማቐ ሕማም ተታሒዛ ናብ ኩሎም ይፍውሱ እዮም ዝተባህሉ ሓካይም ከደት። ንግሥቲ ብምኻኗ ዘለዋ ገንዘብ እኳ እንተ ኣውጸኣት ክትሓዊ ኣይከኣለትን። ድሓር ግን ሰባት ብዝሓበርዋ ናብ መቓብሩ ብምኻድ ተማሕፀነት እሞ ካብ ዝነበራ ሕማም ብጸበል ናይ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ተፈወሰት። ምንጭ፡- መቕድም መጽሓፈ ቅዳሲኡ፣ ስንክሳር ፲፪ (12) ግንቦት።

## ኣፈወርቅ ዘበሎ ተኣምራት

ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ኣብ ቀኖስጥንጥንያ ምእመናን ተቐዲሱ ሥግኡን ደሙን ክቕበሉ እንከልዉ። ጩራ ናይ ፀሓይ ብሃንደበት ናብ ሓንቲ ሰበይቲ ኣንጸባረቐ። ናይቲ ቦታ ኤጲስ ቆጳስ ንስጥሮስ እዩ ነይሩ። ጸዊዑ እዛ ጓለይ እንታይ ዝበደልክዮ ኣሎኪ በላ። ንሳ ኣነ ካብ ፍቕሪ ቤተክርስቲያን ዝተላዕለ ድኣ ናይ ንጽሕናይ ግዜ ከይኣኽለ ቤተ ክርስትያን ኣትየ እምበር ካልእ ካብ ኩሉ ሰብ ዝተፈልየ በደል ዝፈጸምክዎስ የብለይን በለቶ። ንስጥሮስ ብልቡ ናይ ጐይታ ኣምላክ ወልደ ኣምላክነት፣ ናይ ቅድስት ድንግል ማርያም ወላዲተ ኣምላክነት ይነቅፍ ስለ ዝነበረ፣ ድንግል ማርያም ንኣምላኽ ወሊዳቶ እንተትኸውን ነይራስ ንደቂ ኣንስትዮ እዚ ዝፈሰን ዘሎ ደም መቕረጸለን ነይሩ ኢሉ። ነታ ሰበይቲ ዕራቓ ሰቒሉ *“ንክርስቶስ ኣምላክ ወልደ ኣምላክ፣*

*ንማርያም ከኣ ወላዲተ ኣምላክ ዝብል ዝተረግመ ይኹን*" እናበልኩም ነዛ ሰበይቲ ኣብ ሓፍረታ ምራኞኩም ጡፍ በሉላ ኢሉ ኣዘዘ። ኩሎም እቶም ኣብ ትሕቲኡ ዝነበሩ ሕዝቢ ከምቲ ዝበሎም ከከይዶም ምራኞም ጡፍ በሉላ። "*ወሀሎ ኣሜሃ ዮሐንስ ጠርዘ ቤጠር*" ይብሎ ዮሐንስ ኣብኡ ቆይሙ ነበረ፣ ተራኡ ምስ በጽሐ ቀሪቡ ኣነስ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልደ እግዚኣብሔር በዚ ከምዚ ዓይነት ማኅፀን ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ብጎቱም ድንግልና ከም ዝተወልደ እየ ዝኣምን ኢሉ ነቲ እቶም ሕዝቢ ጡፍ ዝበልዎ ምራኞ ከይተጸየፈ ናይ ቅድስት ድንግል ማርያም ንጽሕናን ቅድስናን እናሓሰበ ሓፍረታ ሰዓመ። ምስ ሰዓማ ኣብ ከናፍሩ ከም ወርቂ ዘንጸባርኞ ነገር ተራእየ። ኣብ ቤተክርስቲያን ዝነበረት ሥዕለ ማርያም "ንምእመናን ትምህርቱ ከም መዓር ዝጠዓመ፣ ንከሓድያን መናፍቓን ግዘቱ ከም ኩናት ዝተሳሕለ ብሓቂ ኣፈወርቅ ልሳነ ወርቅ" ኢላ ብናይ ሰብ ድምጺ መስከረት።

- ሶበ ሰዓመ ኃፍረተ ትክት ቅድመ መዋዕለ ንጽሕ ሱባዔ።
- ተአምረ ፍቅርኪ ያርኢ ወያስተሐፍር ጸላኤ።
- ማርያም ሥዕልኪ ለዮሐንስ ጽጌ ትንሣኤ።
- ወደሰቶ ወአእኰተቶ ቅድመ ገጸ ኩሉ ጉባዔ።
- ኣፈወርቅ እንዘ ትብል ጊዜያተ ክልኤ።

ከምዝበለ ደራሲ ማኅሌተ ጽጌ (ኣባ ጽጌ ብርሃን)

***ጸሎቱን በረኸቱን ምስ ኵሉትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።***

ምንጭ፡- - ታሪክ ቅዱስ ዮሐንስ ብመምህር ኅሩይ ኤርምያስ ጥቅምት 1995 ዓ.ም አ.አ.ኢ

- ተአምረ ማርያም ገጽ

ቅዱስ ዮሓንስ ዕረፍቱ ስንክሳር ግንቦት ዕለት 12 (፲፪) እዩ። እዚ ቅዱስ ዮሐንስ ኣፈወርቅ ዝደረሶ ቅዳሴ መድኃኔ ዓለም፣ መስቀል፣ ቀዳም ሥዑር፣ ኣመ ፲፪(12) ለግንቦት ዕረፍቱ ይቕደስ።

## ታሪክ ናይ ቅዱስ ቄርሎስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእስክንድርያ

ቄርሎስ ማለት ኃያል ማለት እዩ። "*ውተጼወዉ ቄረ ሕዝቦሙ ለሰብኣ ሶርያ*" ከምዝብል። ንቅዱስ ቴዎፍሎስ ወዲ ሓፍቱ እዩ። ተወሊዱ ወዲ ፭ (5) ዓመት ምስ ኮነ ትምህርቲ ቤተክርስቲያን ብሉይን ሓዲስን ኣጠናቒቑ፣ ምኽንያቱ ሓንሳብ ዚሰምዓ ኣይርስዕን ነበረ። እዝስ ከመይ ኢሉ ይኸውን ምትሓት ከይመስል እንተበሉ፣ ትምህርቲ ካብ ዝጅምር ድሕሪ ፭ (5) ዓመት ወዲኡ ይብሎ። ኣኩኡ ቅዱስ ቴዎፍሎስ ካብ ቅዱስ ማርቆስ መበል ፳፫ (23) ዝኾነ ናብ ናይ ኣባ ሰራብዮን ገዳም ሥርዓተ ምንኵስና ኣስተምህረለይ ኢሉ ለኣኾ። ኣባ ሰራብዮን ምኺሩ ሰደደሉ። ደስ ኢልዎ ፈትይዎ ምስኡ ኣብ ትሕቲኡ ኣንባብን ተርጓምን ሸሞ። ንሱ ምስ ሞተ ከኣ ናቱ መተካእታ ጌሩዎ ሞተ። ንስጥሮስ "*በሕድረተ ቃል ክብረ*" ኢሉ ምስ ተንሥኡ፣ ንጉሥ ዘይንእስ ቴዎዶስዮስ ኣብ ዝነበረሉ ኣኼባ (ጉባኤ) ኣብ ኤፌሶን ይኹን ተባሂሉ ኣዋጅ ተነግረ። እቶም ዝተኣከቡ ሊቃውንቲ ፪፻(200) እዮም ኔሮም። ቅዱስ ቄርሎስ ኃላፊ ናይ ጉባኤ ኮይኑ ረቲዑ፣ ናብ ላዕለዋይ ግብጺ ሰጐጎ። ኣብቲ ዘለዎ እናኸደ እውን ንብዙሕ ግዜ ተመለስ እናበለ ይልምኖ ነይሩ እዩ፣ እንተኾነ ኣይሰምዖን ምስማዕ ምስ ኣበዮ፣ በል ንልሳነይ ዝተዛረቦ ምእዛዝ ካብ ኣቦኻኒ፣ ልሳንካ ኣይተኣዘዝካ ኢሉ ረገሞ፣ እሞ ልሳኑ ተለዝሊዙ ሕማቕ ሞት ሞተ፣ ማለት መልሓሱ ኣብ ኣፍ ልቡ በጺሑ ደምን ምግልን እናተፍኣ ከም ከልቢ፣ እናነብሐ ሞይቱ፣ "*ወሞተ እንዘይነብሕ ከመ ክልብ*" ከም ዝበሎ።

ቅዱስ ቄርሎስ ተሸይሙ እንከሎ ብዙሓት መጻሕፍትን ድርሳናትን ተግሳጻትን ጽሒፉ፣ ካብቲ ዝጸሓፎ ሓደ መጽሓፉ ቅዳሴ እዩ። ኣቕራቢኡ ቅዱስ ባስልዮስ ዘቂሳርያ እዩ። ዕረፍቱ ሓምለ ዕለት ፫ እዩ። መጽሓፉ ስንክሳር ተመልከት

***ጸሎቱን በረኸቱን ንኾልና ሕዝበ ክርስቲያን ይሓልወና ኣሜን።***

- ሰላም ለቄርሎስ ሊቃለ መጻሕፍት ዘዴግኖ፣
- ቴዎፍሎስ ከመ ሐፀኖ፣
- ኣመ ሊቀ ማኅበር ኮነ ሃይማኖተ ንስጥሮስ ለተቃርኖ፣
- መሰለ ፀምረ መለኮተ ዘጥምዓታት ኅብረ ደርከኖ፣
- ወትስብዕተ በሐዊን ዘእሳት ኣርስኖ።

ካብ መቕድም መጽሓፉ ቅዳሲኡ ለቅዱስ ቄርሎስ እዚ ቅዳሴ'ዚ ዝቕደሰሎም ዕለታት፣ በተዝካረ ሙታን በተዝካረ ኣብርሃም፣ ኢዮብ፣ ኤልያስ፣ ኣመ ፫ ለሓምሌ ስንክሳር።

## ታሪክ ናይ ቅዱስ ያዕቆብ ዘስሩግ ሊቀጳጳሳት

ያዕቆብ ማለት፣ ኣእቃጼ ሰኰና፣ ኣጋዚ ማለት እዩ። ብዕለት 27 መጋቢት ብ433ዓ.ም.ግዕዝ ተወሊዱ። እቲ ቀዳማይ ያዕቆብ ሽኾና ኤሳው ሒዙ ከም ዝተወልደ፣ ንሱ'ውን ብትምህርቲ ንናይ መናፍቓን ትምህርቲ ሰንከልከል ኣቢሉ ስለ ዘውድኞ። ብዙሓት ያዕቆብ ኣለዉ፣ ንመፍለዪ ዘስሩግ ተባሂሉ፣ ንኣብነት

1. ያዕቆብ ወልደ ይስሓቅ
5. ያዕቆብ ዘንጽቢን

2. ያዕቆብ ወልደእልፍዮስ
3. ያዕቆብ እጉሁ ለእግዚእነ
4. ያዕቆብ ወልደዘብዴዎስ
6. ያዕቆብ ዘአልዮ ረዳኢ
7. ያዕቆብ ዘእልበረዲን
8. ያዕቆብ ዘግሙድ

ካብዚኣቶም ንምፍላይ በታ ዝተሸመላ ሃገር ዘስሩግ ኢሉ ይፈልዮ። ስሩግ ኣብ መንነ ክልተ ኣፍላግ ጤግሮስን ኤፍራጥስን ትርከብ ሃገር እያ።ኣቡኡ ናይ ሶርያ ሊቀ ካህናት እዩ። ወዲ ሠለስተ ዓመት ምስ ኮነ ኣዲኡ ሒዛቶ ንቤተክርስቲያን ምስ ከደት ካብ ሕቐፋ ወሪዱ ትኽ ኢሉ ቤተ መቕደስ ኣተወ፡ ዝኣተወሉ ግዜ ከኣ ኣብ ግዜ ዕርገተ ቅዱስ ቀ'ርባን እዩ ዝነበረ። እቲ ዝቕድስ ዝነበረ ሊቀ ጳጳስ መንፈስ ቅዱስ ከምዝጸውያ ስለዝፈለጠ ሠለስተ ግዜ ካብቲ ጽዋዕ ኣስተዮ። "ከም ዕዝራ ሱቱኤል መልኣኽ ብጽዋዕ ኣስትይዎ" ይብሎ። ኣብ'ዚ ግዜ እዚ ምሥጢር ተገሊጹሉ፡ ሥጋኻን ደምካን ዝሃብካኒ ኣምላኽ ተመስገን እናበለ ኣመስገነ። ቀጺሉ "*አንሰ አፈርሀ ደቃ ግብራቶ*" ኢሉ።

1. ***ወይእቲ ፀአተ ነፍሰየ እምሥጋየ።*** ( ነፍሰይ ካብ ሥጋይ ተፈልያ ክትወጽእ እንከላ)
2. ***ወተራክቦ ምስለ እግዚኣብሔር።*** ( ንፍርዲ ናብ እግዚኣብሔር ክትቀርብ እንከላ)
3. ***ወፀእተ ፍትሕ ላዕሌየ።*** ( ናይ መወዳእታ ፍርዲ ክፍረደኒ እንከሎ)

እናበለ ክበኪ ጀመረ፡ እቶም ሕዝብን እቶም ካህናትን እግዚኣብሔር እምበር ኣብዚ ሕፃንዚ ሓዲሩ ንዓና እዩ ዝገንሓና ዘሎ ኢሎም ቨሽዩ። ኣብ ሸውዓተ ዓመቱ ብሉይን ሓዲስን ኣጠናቒቑ ተማህረ። ወዲ ፲፪ (12) ዓመት ምስኮነ ድርሰት - መረ። ፭(5) ዝኾኑ ጳጳሳት መጺኦም ኣብ ቅድሜና ቁምካ ንሕና እናሰማዕናካ ሓድሽ ድርሰት ድረሰልና በልዎ። ንሱ ኣቦታተይ ኣነ ኣብ ቅድሜኹም እንኳን ሓድሽ ድርሰት ምድራስ ዝተመሃርክዎ ቀለም'ውን ኣጠናቒቑ ክናገር ዝኽእል ሰብ ኣይኮንኩን ኢሉ ብትሕትና መለሰሎም። ንሱ ኣብ ዘለዎ ቤተክርስቲያን ፬ቱ እንስሳ ሕዝቅኤል ኣብ ፈለገ ኮቦር ከም ዝረኣዮም ኮይኖም ክሳዶም ድንን ኢሎም ተሳኢሎም ነበረ እም ኣብ ቅድሜና ድርሰት ምድራስ እንተዘይተኻእለካ በል ነዚ ስእሊ ፬ቱ እንስሳ ተርጕመልና በልዎ። ንሳስ ሕራይ ኢሉ። (ሕዝ ፩፥፩-፭ኑ) 1፥5-25

- ***"በፎኤ ክነፊሆሙ ይከድኑ እግሮሙ"*** ዝበሎ ክልተ ክንፎም ንታሕቲ ምግባሮም ናይ ኣምላኽ ቀዳማዊነት ይምርምሩ እሞ ግን ይስእንዎ።
- ***"በፎኤ ክነፊሆሙ ይከድኑ ገጾሙ"*** ዝበሎ ክልተ ክንፎም ንላዕሊ ገጾም ምዝርግሖም ደሃራዊነቱ ይምርምሩ ግን ይስእንዎ።
- ***"በፎኤ ክነፊሆሙ ይሰሩ እምጽንፍ እስከ ጽንፍ"*** ዝበሎ ክልተ ክንፎም ንየማንን ንጸጋምን ምዝርግሖም፡ ምልኣቱን ስፍሓቱን ይምርምሩ እሞ ይስእንዎ። ዘይምርመር ንምኻኑ ዕፁብ ዕፁብ ይብሉ ኢሉ ተርጎመሎም።

ቅዱስ ያዕቆብ ዘሥሩግ ብዙሓት መጻሕፍትን ድርሳናትን ተግሳጻትን ምዕዶታትን ጽሒፉ ካብቲ ዝጽሓፎ ሓደ መጽሓፉ ቅድሴ እዩ።

ፖፕ ልዮን ፮፻፴፮ (636) ኤጲስ ቆጶሳት ኣብ ኬልቄዶን ኣኼባ ኣብ ዝገበረሉ 7ይ ርእሱ ኮይኑ ዝተማገሎ ኣቦ እዩ። ብናይ ልዮን ክሕደት ብዙሕ ጐሃየ። ብናይ ዲዮስቆሮስ ሃይማኖት ከኣ ደስ ኢልዎ ተሓጐሰ። ፓፕ ልዮን ደብዳቤ ልኢኹ ብሃይማኖት ምሰለኒ በሎ። ንሱ ከኣ "*ሳጥናኤል ሊቀ መላእክት አኃዜ መንጦላዕት*" እዩ ዝነበረ፡ ምስ ከሓደ ግን መላእክት ተፈለይዎ፡ ስለዚ ንሱ ዲያብሎስ ተባህለ እቶም ተኸተልቱን ሰዓብቱን ከኣ ኣጋንንቲ ተባህሉ። ሕጂ'ውን ንሥሓ ኣቲካ ከም ሊቀ ሓዋርያት ቅዱስ ጴጥሮስ እንተተመሊስካ፡ ኣነ'ውን ክመስለካ እየ፡ እንተዘይኮይኑ ግን ኣይመስለካን እየ በሎ።

ዕረፍቱ ሰነ ዕለት 27 (፳፯) ብ ፭፻፫/ 505 ዓ.ም ኣብታ ዝተወልደላ ዕለት ዓሪፉ ዕድሚኡ ፸፪(72) እዩ። ኣብቲ ዝዓረፈሉ ዓመተ ምሕረት መሠረተ ዜማ ቅዱስ ያሬድ ተወልደ።

መጽሓፈ ገድልን ስንክሳርን ተጻሒፉ ኣሎ።

ታቦት ተቐሪጹሉ፡ ብስሙ ብዙሓት ገዳማት ተሃኒጾም ኣብ መቓብሩ መዓልቲ መዓልቲ ተኣምራት ይርኣ።

እዚ ታሪኽ'ዚ ኣብ ሃይማኖተ ኣበው የሎን። መምህር ወ/ሥላሴ ንኢየሩሳሌም ምስ ኩዱ፡ መጽሓፈ ገድሉን ስንክሳሩን ርእዮም ቀዲሖም ኣምጺኦሞ።

"እምሥጋዌ በ፬፻፴፫ቱ ዓመት ተወልደ፡" መዋዕሉሁኒ ፸፪ቱ (72) ዓመት ውእቱ፡ መዋዕለ ሲመቱ ኣሓዱ ዓመት ፲፭ ወርሕ፡ ወዕ ረፍቱ ኣመ ፳፯ ለሰኔ በዕለተ ሓሙስ በጊዜ ፱ ሰዓት ይብሎ።

ናይ ቅዱስ ያዕቆብ ዘሰሩግ ረዲኤት ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን። ኣሜን

***ጸሎቱን በረኸቱን ይሓልወና ኣሜን።***

# ታሪክ ናይ ቅዱስ ዲዮስቆሮስ ሊቀ ጳጳሳት ዘእስክንድርያ

ቅዱስ ዲዮስቆሮስ ኣብ ደሴተ ጋግራ ብ ፯ (7) መስከረም ተወሊዱ፣ ቁጽሩ ካብቶም ፳፭(25) ሊቃውንቲ ውሽጢ እዩ። ዲዮስቆሮስ ማለት ለባሴ መስቀል ተቐባሊ መከራ ማለት እዩ። ኣብ ናቱ ዘመን እቲ ናይ ካቶሊካውያን ጉባኤ ኬልቄዶን ብጳጳስ ልዮን ብ ፬፻፶፩ (451) ዓ.ም ግእዝ ተገብረ። ካብ ጉባኤ ኒቅያ ክሳብ ጉባኤ ቁስጥንጥንያ ፶፮ (56) ዓመት ይኸውን። ካብ ጉባኤ ኤፌሶን ክሳብ ጉባኤ ኬልቄዶን ከኣ ፳ (20) ዓመት ይኸውን። ኣብዚ ግዜ'ዚ ንሱን ዮሓንስ ኣፈወርቅን ተራኺቦም ምንባሮም ይነግር። ቅዱስ ዲዮስቆሮስ ብ፬፻፴፫(433) ዓ.ም ግዕዝ ሊቀ ጳጳሳት ተሸይሙ፣ ን፲፬ (14) ዓመት ዝኣክል ጸኒሑ፣ ድሕሪኡ ወራዱ። እንደገና ብ ፭፻፲፮ (516 ዓ.ም) ንካልኣይ ግዜ ተሸመ። ኣብዚ እዋን እዚ መርቅያን ብናይ ልዮን ምኽንያት ተጠቒሙ ኣብ ኬልቄዶን ጉባኤ ይኹን ኢሉ ኣዋጅ ነገረ። ካብ ናይ ጉባኤ ኒቅያ ዝነበሩ ሊቃውንቲ ዕጽፊ ፮፻፴፮/636 ኤጲስቆጳሳት ኣከበ፣ ቅዱስ ዲዮስቆሮስ ፯(7ይ) ርእሱ ኮይኑ ተዋሕዶ በለ፣ ማለት እዚ ድኣ እቲ ናይ ንስጥሮስ ነገር እንድ'ዩ ብሕልፍኝ ኣትዩ፣ ብኣዳራሽ ምውጻእ እንድ'ዩ በለ። ልዮን ናብቲ ጳኬባ ኣይመጸን ነይሩ። ብሕማም ድዩ ብእርግና ምኽንያት ዘይመምጽኢኡ ኣይተፈልጠን። ደብዳቤ ልኢኹ ተነቢብሉ ኣብቲ ንባቡ ከምዚ ዝስዕብ ዝብል ትሕዝቶ ነበሮ። *“ክልተ ባህርይ መለኮት ይገብር ግብረ መለኮት፣ ትሰብዕት ይገብር ግብረ ትስብዕት”* ዝብል ነበረ።

ንቅዱስ ዲዮስቆሮስ ሓለቓኻን መምህርካን ልዮን ከምዚ እናበለ ስለምንታይ ንበይንኻ ትፍለ በልዎ። ቅዱስ ዲዮስቆሮስ ሃይማኖት እንተዘይቅይር ነይሩ መምህረይ ሓለቓይ ምኾነ ነይሩ፣ ሃይማኖት እንተለዊጡ ግን ከመይ ኢሉ መምህረይን ሓለቓይን ይኸውን በለ፣ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣወገዝዎን ኣውረድዎን። ንሱ እውን ብወገኑ ወገዞም፣ ማለት ክልቲኦም ተወጋጊዞም። ሰይቲ ንጉሥ መርቅያን ንግሥቲ ብርክልያ ጓል ኣውዶክስያ ንዲዮቅልጥያኖስ ጓል ጓሉ፣ ናይ ሎሚ ጳኬባ ከመይ ውዒሉ ኢላ እንተሓተተት። ዲዮስቆሮስ 7ይ ርእሱ ድኣ ተፈልዩ እምበር ካልኦት ሓደ ኮይኖም ኔሮም በልዋ። በሉ ንዲዮስቆሮስ ናባይ ስደድዎ በለት። እቲ ንጉሥ እውን ንሰበይቲ እኮ ዕድል ናይ ምርዳእ ኣለዋ እዩ እስከ ስደዱላ በለ። ንሳ ስለምንታይ ኢኻ ንጉሥ ዝፈተዎን፣ ዘመን ዝወለዶን መሲልካ ዘይትነብር፡ በለቶ፣ ንሱ ኣይከውንን በላ። ንሳ ከኣ እዞም መነኮሳት እዚኣቶም እንታይ እዩ ከምዚ ዝገብሮም ዘሎ፣ ኣጳኻ ኣፈወርቅ ምስ ኣደይ ኣውዶክስያ ተጻሊኡ ከምዚ ኢሉ መከራ ረኸበ። ንሰኻ እውን ክመውት እየ እምበር ኣይቐበለክን ትብል ኣሎኻ በለቶ። ንሱ ከኣ “ ንሰኺ ናይ ኣቦይ ኣፈወርቅ መከራ ምጽጋብ ትዛረቢ ኣሎኺ እምበር፣ ናይ ኣዴኺ ሓሳርሲ ኣይትዝክርንዶ፡ በላ። ብኽመይ ዝበለ ክፉእ ኣማውታ እያ ዝሞተት በሊ” በላ። ኣብዚ እዋን'ዚ ሓፈረት እሞ በቲ ዝሓዘቶ ወቐዓቶ። ኣስናኑ ከኣ ሰበረቶ። እቶም ዓ- ብታ'ውን መጺኦም ጭሕሙ ነጸይዎ ገጹ ገጹ ጸፍዕዎ፣ ስኑ ሰበርዎ። ንሱ ነቲ ዝተሰብረ ስኑ ኣብ መንዲል ቆጺሩ ነቶም ኣብ እስክንድርያ ዘለዉ ኣመንቲ *“ዝንቱ ውእቱ ፍሬ ሃይማኖት”* ኢሉ ሰደደሎም። ከም ናይ ዕንቁ (መብራህቲ) እናኣብርሃሎም ናይ ለይቲ ስራሕ ይሰርሑ ነበሩ። ድሕሪኡ ፍረዱ በለቶም፣ ይሙት ኢሎም ፈረዱ። ገለ ሰባት ከኣ፡- ንስጥሮስ ክሒዱ ተሰዲዱ እምበር መዓስ ተቐቲሉ ተኣሲሩ ክነብር (ማሕዩር) እዩ ዝመስለና ኢሎም ፈረዱ። ሽው ኣብ ደሴተ ጋግራ ማሕዩር ኣእተውዎ። ኣብኡ ኣብ ማሕቡስ (ማእሰርቲ) እንከሎ ብናይ መለካውያን ውዲት ኣዕረፈ።

- መለካውያን ማለት ፈጻምያነ ትእዛዘ ንጉሥ ማለት እዩ።
- ቅዱስ ዲዮስቆሮስ ኃሙሽተ ዓይነት ድርሰታት ደሪሱ፣ እቲ ቀንዲ ብስሙ ዝጽዋዕ መጽሐፈ ቅዳሴ እዩ። ኣብ ደሴተ ጋግራ ተኣሲሩ እንከሎ ዝጸሓፎ እዩ፣ ዘቐረቦ እውን ቅዱስ ባስልዮስ ዘቂሳርያ እዩ።
- ኣብ መበል ፷ (60) ዕድሚኡ ግንቦት ዕለት ፯(7) ዓሪፉ።

ጸሎቱን በረኸቱን ምስ ኮልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን። ካብ መቐድም ቅድሴ ዲዮስቆሮስ ዝተተርጐመ።

- ሰላም ለዲዮስቆሮስ ሃይማኖተ ንጉሥ ዘተሣለቀ፣
- ተዋሕዶተ ኣምላክ ወሰብእ ኣመ ለክልኤ ነፈቀ፣
- ያስተፃንዕ ህየ እለ ሀለዉ ደቂቀ፣
- ዘተነዕየ እምነ ፅሕሙ ወእምኣስናኒሁ ዘወድቀ፣
- ፍሬ ሃይማኖቱ ፈነወ ብሔረ ርጉቀ።

✠ ✠ ✠

## ሓጺር ታሪኽ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ካልኣ ሊቀ ጳጳስ ገባሬ ተኣምራት

ጎርጎርዮስ ማለት ንቑሕ ትጉህ፣ ዕቁብ፣ ዕጉስ፣ ማለት እዩ። ሃገሩ ሮማ መካነ ቅዱሳን እዩ፣ ብህፃንነቱ ብሉይ ኪዳን ተማህረ። *“ወተዘከረ ማኅለቅቶ ለዝንቱ ዓለም፣ ወንብረተ መንግሥቱ ሰማያት፣ ዘኢየሐልቅ”* ኢሉ - መረ። ናይ ሕጊ ፈላጥን ተርጓምን ክኸውን እንከሎ ናይ ሮማ ቋንቋ ብዝግባእ ዝፈልጥን ዝትርጉምን ሊቅ እዩ ነይሩ። ሓደ መዓልቲ ብናይ ሕጊ ትምህርቲ ክመሃር እንከሎ ብመልኣኽ እግዚኣብሔር ተጸዊዑ ናይ'ዚ ዓለም'ዚ ንብረት መኒኑ ንገዳም ኣተወ። ኣብ ናይ ሕጊ ትምህርቲ እናተማህረ እንከሎ ሓደ ድኻ ተበዲሉ ርእዩ፣ ነቲ ድኻ ክማጐተሉ ኢሉ እናኸደ ብመልኣኽ እግዚኣብሔር ዝተጸውዐ ሓደ ኣረጋዊ ኤጲስ ቆጶስ ጸዊዑ ንዓይ ርድኣኒ፣ ነዚ ገዳም እውን ብሽመት ኣገልግል ኢሉ ሓተቶ። ቅዱስ ጎርጎርዮስ ግን ኣነ ሽመት ኣይደልንየ ብምባል ኣበዮም። እቶም ኤጲስ ቆጶስ ኣጸቢቕም እኳ ግዲ እንተበልዎ። ናብ ዘይርከበሉ ቦታ ክዳኑን መልክዑን ቀይሩ ብምህዳም ቤቱ ዓ ጽዩ ይቕመጥ ነበረ።

ኣስተውዕል ናይ ቀደም መነኮሳት ኣቦታት ከምዚ እዮም ነይሮም። ማለት ሽመት ዝጸልኡ፣ ዝተፈላለየ ክዳን ምግብን ዘይጥቀሙ፣ ውዳሴ ከንቱ ዘይፈትዉ እዮም ነይሮም። ናይ ቀደምን ናይ ሎምን ክነጻጸሩ እንከለዉ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ እቶም ዝኣረጉ ኤጲስ ቆጶስ ሞቱ። ንመን ድኣ ክንሸይም ኢና ኢሎም ክጭነቑ እንከለዉ *“ሲምዎ ለጎርጎርዮስ ገዳማዊ”* ዝብል ድምጺ ሰምዑ። ኣብ ኩሉ ጎቦታት፣ ዋሻታት፣ ዱራት እንተደለዩ ክረኽብዎ ኣይከኣሉን። ሽዑ ብእምነት ንሱ ከይተረኽበ ነቲ መንበር ዘርጊሖም ኣብቲ መንበር ልብሰ ተክህኖ ኣቕሚጦም፣ መጽሓፈ ሲመቱ ኣብጺሖም *“ሴምናሁ ለጎርጎርዮስ ገዳማዊ”* ኢሎም ጎዳር ዕለት ፳፩ (21) ሸምዎ። ኩሎም እቶም ሕዝብን ካህናትን *“ይደልዎ ይደልዎ ይደልዎ”* በሉ። ሽዑ ንቅዱስ ጎርጎርዮስ ካብቲ ዝነበሮ ዱር ውጻእ ዕድልካ ንሕዝቢ ምስትምሃር እዩ እምበር ብሕትውና ኣይኮነን በሎ። ቅዱስ ጎርጎርዮስ እናበኸየ ንፈጣሪ መንገዱ ምርሓኒ እናበለ እንቶኸደ ሽመት ረኸበ። ብቑዕ ከም ምኳኑ መጠን እውን ነቶም መነኮሳት ተኣምራት ኣርእይዎም። ንምልክት ሓደ ንቑጽ ገረብ ቆጽሊ ኣውጺኡ ሕሙም ፈዊሱ ኣርኣዮም። እቲ ቅድም ኣይሸየምን እየ ክብሎም እንከሎ ኣብ ማእከሎም ተሠዊሩዎም ምርኣይ ዝስኣንዎ ግዜ'ውን ነይሩ እዩ።

በቲ ናይ መልኣኽ መሪሕነት ተመሪሑ ናብቶም መነኮሳት በጽሐ። ኣብኡ ከኣ በቲ ቅድም ንሱ ከይመጽኣ ዝሸምዎ ተሸይሙ ኣብ ሽመቱ ጸኒዑ ይነብር ነበረ። በዚ እቶም መነኮሳት ክጥርጥርዎን ክሓምይዎን ጀመሩ። ማለት ቅዱስ ጎርጎርዮስ ከምቲ ኣብ ግዜ ሙሴ ዝነበሩ ዝገብርዎ ዝነበረ ተኣምራት ከይከውን። ነዚ ከሕስቦም ዝኸኣለ ከኣ ነቲ ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ ቀላይ ብጸሎቱ ምስ ኣንቀጸ እዩ። እቶም ሕዝቢ ግን እንኣምኖ ዝነበርና ኣቦ ከመይ ኢሉ ጨኪኑ እንተበሉ ብብዝሒ ኃጢኣትኩም እዩ በሎም።

## ንሱ ተሸይሙ እንከሎ ብዙሕ ተኣምራት ገሩ ካብቲ ዝገበሮ ኣብዚ ሓንቲ ክንርኢ ኢና።

ክልተ ደቂ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ የሕዋት ሓንቲ ዓባይ ግራት ኣቡኣም ዘውረሶም ነበሩ። እታ ግራት ብማይ መሊኣ ብዙሓት ዓ ሣታት ከምእተፍሪ ኮነት። ዓሣ እናገፈፉ ንነዊሕ ግዜ ክነብሩ ድሕሪ ምጽናሕ ናተይ እያ፣ ናተይ እባ ብምባል ተባኢሶም ብኽሲ ናብ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ይኸዱ፣ ቅዱስ ጎርጎርዮስ በብእብረ ዓሣ ክገፉ ዓረቕም። ሕጂ ውን ድሕሪ ሓጺር ግዜ ከም ቀደሞም ተባእሱ። እንደገና ናብ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ኸዱ፣ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ጸልዩ፣ ናብ ኣምላኽ ኣመልኪቱ፣ እቲ ማይ ከምዝደርቕ፣ ሕርሻ ከምዝኸውን ገይሩ፣ ናብ ክልተ መቕሉ፣ ሓሪስኩም ተናበሩ ኢሉ ፈረዶም። በዚ ምኽንያትዝ ከኣ ቅዱስ ጎርጎርዮስ *“ገባሬ ተኣምራት”* ክበሃል ክኢሉ። እቶም ክልተ ኣሕዋት በዚ ናቱ ፍርዲ ተሰማሚያም ከም ዝነብሩ ኮኑ። እቶም መነኮሳት ውን ካብዚ ተበጊሶም እዮም ዝሐመይዎ።

- ሰላም ዕብል መዓዛከ መኣድመ
- እምቀናንሞስ ዘጥዕመ።
- ጎርጎርዮስ ኣብ እንተትገብር መድምመ።
- ኣይቢሰከ ነቅዓ ማዮሙ እስከ ገብርዎ ኣትላመ።
- ላዕለ ክልኤቱ ኣኃው ረሰይከ ሰላመ።

## ድርሰት

እቲ ዝደረሶ መጽሓፍ ቅዳሴ፣ ኣብ በዓለ ሆሳእና እዩ ዝቕደስ። ስለ ናይ ጐይታ ሕማማትን ልደትን፣ ስቓይን፣ ግፍዕን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ኣድጊ ተጻዒኑ ናብ ኢየሩሳሌም ምእታው። ሆሳዕና ማለት መድኃኒት ማለት ምኳኑ ገሊጹ እዩ። ኣብ ሃይማኖተ ኣበውን ኣብ ናይ ሊቃውንት መጽሓፍን ስሙ ብብዝሒ ተጠቒሱ ይርከብ። ነዛ

መጽሓፈ ቅዳሴ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ዘቐረባ ቅዱስ ባስልዮስ ዘቂሳርያ እዩ።

**<u>መዋዕለ ሽመቱን ዕረፍቱን</u>**

- ቅዱስ ጎርጎርዮስ ንፁ፮/45 ዓመት ድሕሪ ምጽናሑ ብዕለት ፳፩(21) ጎዳር ልክዕ ኣብታ ዝተሸመላን ዝተወለደላን መዓልቲ ዕረፍቱ ኮነ፣ ብኢድ ደቀ መዛሙርቱ ከኣ ተቐብረ።

***ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።***

ምንጭ፡- ስንክሳር ጎዳር ዕለት ፳፩ /21 ታሪኽ ቅዱሳን ፲፱፻፺፯ ዓ.ም ገጽ

**<u>ቅዱስ ጎርጎርዮስ ረአዩ ጎቡኣት</u>** ሀገሩ ሮሐ ኮይኑ ኣብ መዋዕለ ንእስነቱ ዓመጸዐን ኃጥእን በዳልን ከምኡ እውን ናይ ክርስቲያን ጸላኢ እዩ ነይሩ። ከይሓሰቦ መልኣኽ እግዚኣብሔር ብሃንደበት መጺኡ ኣንጠልጢሉ ወሲዱ ሲኦል፣ ገሃነመ እሳት፣ ኣርእዩ መሊሰ ናብ'ቲ ዝተወልደሉ ቦታ ናብ ዓዱ መለሶ። " እዚ ክትፍጽሞ ዝጸናሕካ ዓመጽ እንተድኣ ገዲፍካዮ ብሕይወት ክትነብር ኢኻ " በሎ። ድሕሪኡ ተነሚሑ ኣብ መንፈሳዊ ቤት ትምህርቲ ኣትዩ ሓዲስ፤ ብሉይ፤ ሊቃውንትን፤ ነገሥት ኣብ ፯/7 ዓመት ኣጠናቒቑ ፈለጠ። ኃላልኣይ ግዜ መልኣኽ እግዚኣብሔር መጺኡ ብጸጉሩ ሒዙ ገነት፤ መንግሥተ ሰማያትን፤ ኢየሩሳሌም ሰማያዊትን፤ ብሔረ ሕያዋንን፤ ብሔረ ብፁዓን ወሲዱ ኣርኣዮ። እዚ ኣቦ'ዚ በቲ ዝረኣዮ መሠረት ብዙሕ ገድሊ ተጋደለ። ብዙሓት ጣዖታት ኣፍረሰ፣ ብዙሓት ኣብያተ ክርስቲያናት ሠርሐ። ኣብ ሃይማኖተ ኣበው ኣብ ስንክሳር ኣብ ገድለ ሰማዕታት ኣብ ገድለ ቅዱሳን ስሙ ብብዝሒ ተደጋጊሙ ተጠቒሱ ይርከብ። ኣብ መወዳእታ ንብዙሕ ዓመታት ብሊቀ ጳጳስና ተሸይሙ ምስ ጸንሐ ሽመት ኣይደልን ኢሉ ብብሕትውና ጸኒሑ ዕለት 2 (2) መጋቢት ዓረፈ። ቤተክርስቲያን ተዋሕዶ ኦርቶዶክስ ካብቶም ዓቢ ኣበርክቶ ዘበርከቱ ዓበይቲ ሊቃውንት ሓደ ከም ምዃኑ ትዝክሮ።

- ሰላም ለጎርጎርዮስ ኣመ ፃመወ ወተግሐ፣
- መልዕልተ ሃገር ዘሮሀ፣
- መካነ ኃጥኣን ብካየ ወመካነ ጸድቃን ፍሥሓ፣
- ዘበበፆታሆሙ ነጊሮ ብዙኃ፣
- ለእለ ውስተ ምድር ሰበከ ንሥሐ።

***ንቅዱስ ጎርጎርዮስ በረኽት ኣምላኹ ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን። ኣሜን!***

***<u>ምንጭ፡-</u> ስንክሳር ፪ መጋቢት፤ ታሪኽ ቅዱሳን 1997 ዓ.ም ገጽ***

✠ ✠ ✠

## <u>ቅዱስ ኣባ ሕርያቆስ</u>

ቅዱስ ኣባ ሕርያቆስ ሃገሩ ብሕንሳ እዩ። ሕርያቆስ ማለት ጎሩይ፣ ንሽመት ዝተመርጸ፣ ከምኡ'ውን ረቂቕ ማለት እዩ። ረቂቕ ምሥጢረ ሥላሴ ይናገር እዩ። ካብ ሊቃዉንትስ ምሥጢረ ሥላሴ ዘይናገር የልቦን። ካብ ኩሉ ብዝበልጽ ንሱ ኣስፊሑን ኣጉሊሑን ተናጊሩ እዩ። ከምኡ እውን ፀሓይ ማለት እዩ ***(ኣብ ፀሓይ ወልድ ፀሓይ ወመንፈስ ቅዱስ ፀሐይ)*** እናበለ ደራሲ እዩ። ከምኡ ውን ብርሃን ማለት እዩ። ናይ ምእመናን ልቡና ብትምህርቱ ብሩህ ይገብር እዩ። ***"ዘኣብርሃ ለመንበረ ማርቆስ በብርሃኑ"*** ከምዝብል ከምኡ እውን ንህቢ ማለት እዩ። ንህቢ ዘይቀስሞ ዕንባባ የልቦን። ንሱ ድማ ዘይጠቕሶ ሊቅ የልቦን። እዝስ ከመይ እዩ፡ እንተበልና ሓዋርያት ዝተማህረ ሥነ-ምግባር ዘለዎ ይሸየም ኢሎም ሥርዓት ሠሪያም እዮም።

ከመይ ብትምህርቱ ምእመናን ዝሕሉ ንመናፍቓን ተሳራኺሩ ዝመልስ ምእንቲ ክኸውን ብሥነ-ምግባሩ ብጸሎቱ ይረድእ እዩ። ኣባ ሕርያቆስ ከኣ ሥነ ምግባር ዘለዎ ትሑት ሰብ እዩ ነይሩ። ኣብ ብህንሳ ኣብ ልዕሊ እልፊ መነኮሳትን መነኮሳይያትን ብኤጲስ ቆጶስነት ተሸይሙ ብምንባሩ ኣብ ብዙሓት ምሻም ልሙድ እዩ። ኣባ ሆርን ኣባ ኤስድሮስን ኣብ ብዙሓት ከም ዝተሸሙ።

እዛ ብሕንሳ ቅድም ኣርጋድያ ትበሃል ነበረት። ደሓር መኑፍ ተባሂላ። ብዙሕ ግዜ ናይ ስም ለውጢ ኣጋጢምዋ እዩ። ሎሚ ከኣ ብህንሳ ትብሃል ኣላ። ኣባ ሕርያቆስ ድማ ብትሕትናን ፍቕርን ዝፀንዐ ኣቦ እዩ። ሥርዓተ ቀኖና ተኸተሉ፣ ጹሙ፣ ጸልዩ፣ ተፋቕሩ፣ ትሕትና ግበሩ እናበለ ሥርዓት ስለ ዘጽንዓሎም ግና ክጸልእዎ ጀመሩ። ዘይተማህረ እዩ'ሞ ***"ካብ ምጥምጣም ምምሃር ይቕድም"*** ከም ዝበሃል፣ ካብ ምሻም ትምህርቲ ምቕዳም'ዶ ኣይመሓሸን። እናበሉ ይንዕቕዎ ነበሩ። ንሱ ግና ***"ወእቀውም ዮም በትሕትና ወፍቅር"*** ኢሉ ከም ዘመጽኦ ከምቲ ዝጸልኡኒ ክጸልኦም ከምቲ ዝነዓቑኒ ክንዕቆም ከይበለ ብፍቕርን ብትሕትናን ጽኒዑ ይምህሮም ነበረ።

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ብምንታይ ምኽንያት ኢና እንስዕሮ በሉ'ሞ ቀዲስካ ኣቑርበና ኢልና፣ በዚ ንስዓሮ ኢሎም መኽሩ። ንሱ ግን ከም ቅዱስ ኤፍሬም ናይ ቅድስት ድንግል ማርያም ምስጋና ከም ሑጻ ባሕሪ፣ ከም ከዋክብቲ ሰማይ በዚሑለይ እንተዝርኢ ከም መግቢ ተመጊበዮ፣ ከም ክዳን ተኽዲነዮ፣ ምነበርኩ ኢሉ ይምነ ነበረ።

ድሕሪ'ዚ ቅዳሴ ኣትዩ ሥርዓተ ቅዳሴ ኣብጺሑ ኣብ ፍረ ቅዳሴ ክበጽሕ እንከሎ ካብ ናይ ሊቃውንቲ ቅዳሴ ክብድ ዝበለ ዘሸግር ንሃቦ እናበሉ ክመኽሩ ከለዉ ዝለመንዋ ዘይትኽልእ ዝነገርዋ ዘይትርስዕ እግዝእትነ ማርያም ንግዚኡ ገሊጻትሉ። "*ጐሥዓ ልብየ ቃለ ሠናየ*) ኢሉ "*ወይእዜኒ ንሰብሖ*" ክሳብ ዝብል ሰተት ኣቢሉ ተናገሮ።

እቶም ዝንዕቅዎን ዝጸልእዎን ዝነበሩ እዝስ ዝነገርዎ ቀለም እኳ ኣጠናቒቑ ምንጋር ዘይተኻእሎስ ሓድሽ ድርሰት ክደርስ ኢሉ ሃተውተው ይብል ኣሎ ኢሎም ተገረሙ። እቶም ዝእዘዝዎን ዘፍቅርዎን ዝነበሩ ግና መንፈስ ቅዱስ ገሊጹሉ እዩ እምበር ከምዚ ዝበለ ምሥጢር'ዶ ካብ ሰብ ይርከብ እዩ ኢሎም ኣደነቕዎ። ንግዚኡ እቶም ዘኽብርዎን ዘፍቅርዎን ጽሒፍና ደጉስና ዘይንሕዞ በሉ። እቶም ዝንዕቕዎን ዝጸልእዎን ድማ ኣየ መን ተናጊርዎ ኢልና ኢና እንሕዞ በሉ። ከምቲ ዝተለምደ ጌርና ዘይንሕዞ በሉ። ኣብ ሃገሮም ሓድሽ ድርሰት እንተተደሪሱ ጽሒፎም ደጉሶም ናብ ሓዊ የእትውዎ። ብደሓን እንተወጺኡ፣ ናብ ማይ የእትውዎ። ካብ ማይ ውን ብደሓን እንተወጺኡ፣ ኣብ ልዕሊ ሕሙም የንብርዎ ሕሙም እንተፈዊሱ ቅቡል ድርሰት ኢሎም ይሕዝዎ ነዚ ድማ ከምኡ ጽሒፎም፣ ደጉሶም ናብ ሓዊ ኣእተውዎ ብደሓን ወጸ። ናብ ማይ ኣእተውዎ ብደሓን ወጸ፣ ኣብ ልዕሊ ሕሙም ኣንበርዎ ፈወሶ፣ ብዝበለጸ ድማ ምዉት ኣተንሥኣ። ስለዚ ሓዊ ብሓዊ ቅቡል ድርሰት እዩ ኢሎም ሓዝዎ። ኣብ መጽሓፍ ቅዳሴ መበል 1፬ (14) ኮይኑ ብኽብሪ ተታሕዘ ካብቶም ፲፬ (14) መጻሕፍቲ ቅዳሴ ተኣምራት ዘይተገብረሉ የልቦን። ዝቐደሰሉ መዓልቲኻ መዓ ስ እዩ ነይሩ እንተበልና ካብ ፴፫ (33) በዓላት እግዝእትነ ማርያም ሓደ መዓልቲ እዩ።

ሓደ ባሕታዊ ካብ ፍቕራ ዝተላዕለ "ካብዘን ፴፫ (33) በዓላትክስ ነየነይቲ ከኽብሩልኪ የሐጉሰኪ በላ። ንሳ ኪዳነ ምሕረት፣ ፲፮ (16) የካቲት፣ ልደተይ ፩ (1) ግንቦት፣ ዕረፍተይ ፳፩ (21) ጥር፣ በዓል ፍልሰተይ ፲፮ (16) ነሓሴ" በለቶ። ደጊሙ ካብ ኣርባዕቲኣን ከ በላ ካብ ጸቢብ ናብ ርሒብ፣ ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን፣ ዝወጻእኩላ እየ'ሞ ዕለተ ልደተይ ከኽብሩለይ እፈቱ በለቶ። ከምኡ እውን ኣነ ከይተወለድኩ ንወለደይ መባእኩም ኣይንቕበለኩምን ኢሎም ኣጉህዮሞም ነይሮም እዮም። እቲ ናታቶም ሓዘን ሓዘነይ እዩ፣ ከምዝበለቶ ዝቐደሰላ መዓልቲ በዓል ልደታ እዩ ነይሩ።

ካብ ስግር ባሕሪኻ መን ኣምጽኣልና፣ ቅዱስ ያሬድ ማይ ከራሕ መደባይ ታብር ኣብ ዝብሃል ቦታ ተቐሚጡ ከሎ ቅድስት ድንግል ማርያም ንቅዱስ ኤፍሬም ካብ ሶርያ፣ ንቅዱስ ሕርያቆስ ካብ ብህንሳ ብደመና ጠቒሳ ኣብታ ቅዱስ ያሬድ ዘለዋ ቦታ ኣምጺኣ፣ ንሸኻ ውዳሴይ፣ ንሸኻ ቅዳሴይ ንገርዎ። ንሱ ብዜማ ይድረሶ በለቶም። ነጊሮሞ ንሱ ብዜማ ደረሶ። ድሕሪኡ ነዚ ጥራይ ዘይኮነስ ነቲ ፲፫ (13) ቅዳሴታት እውን ብዜማ ደሪሱ እዩ። ካብቲ ፲፫ (13) ቅዳሴታት ቀዲሙ ብዜማ ዝተደርሰ ቅዳሴ ማርያም ስለ ዝኾነ ዝበዝሕ ምልክት (ሥረዩ) ኣብ ቅዳሴ ማርያም እዩ ዝርከብ። ዕረፍቱ ጥቅምቲ ፪ (2) እዩ።

***ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።***

✠ ✠ ✠

## ቅዱስ ኤፍሬም ሶርያዊ

ቅዱስ ኤፍሬም ትውልዱ ካብ ሰብ ሃገረ ከዋክብት ኮይኑ ኣቡኡ ናይ ጣዖት ካህን እዩ ነይሩ። ቅዱስ ኤፍሬም ግና ኣይፈትዎን ነበረ። ብመልኣኽ ተመሪሑ ናብ ጳጳስ ቅዱስ ያዕቆብ ዘንጽቢን ከደ እሞ ምሂሩ፣ ኣእሚኑ ኣጠመቖ። እናተጋደለ ከኣ ምስኡ ንነዊሕ ግዜ ከም ተማሃራይ ኮይኑ ተቐመጠ። ብገድሉ ከኣ ኣዝዩ ዓብዩ ኮነ። ኩሉ ግዜ ይጸውም፣ ይጽሊ ነበረ። ጸጋ መንፈስቅዱስ ስለ ዝሓደሮ ምስ ኣሕዛብ ኣብ ዝገብሮ ክርክር ይረትዖም ነበረ። ሃገሩ ሶርያ ቋንቁኡ ሱርሱት፣ ግንቦት ዕለት ፩ ተወልደ። ኣብ ጉባኤ ኒቅያ ቅዱሳን ኣቦታት ሊቃውንቲ ፫፻፲፰ (318) ክእክቡ እንከለዉ ቅዱስ ኤፍሬም ምስ መምህሩ ጳጳስ ኣባ ያዕቆብ ዘንጽቢን ከይዱ ነይሩ።

ቅዱስ ኤፍሬም ካብ ኒቅያ ክምለስ እንከሎ ኣብቲ ዝሓደሮ ቦታ ዓ ንዲ ብርሃን ተተኺሉ ካብ ምድሪ ክሳብ ሰማይ ዝበጽሕ ብሕልሚ ረኣየ። ንኣምላኽ ትርኢቱ ከምዝገለጽካለይ መን ምኻኑ ግለጸለይ ኢሉ ኣመልከተ። ዝተእዘዘ መልኣኽ መጺኡ እዚ ዝረኣኻዮ ባስልዮስ በዓል ቂሳርያ እዩ። ንሱ ንቤተክርስቲያን ጽኑዕ ዓንዲ እዩ። ብስብከቱ ልቢ ደቂ ሰብ ናብ ብርሃን ዝልውጥ እዩ። ቅዱስ ባስልዮስ ቁጽሩ ካብቶም ፫፻፲፰ (318) ሊቃውንቲ ሓደ እዩ።

ቅዱስ ኤፍሬም ንቅዱስ ባስልዮስ ከይዱ እንተረኣዮ ከምቲ ዝሓለሞ ኮይኑ ኣይረኸቦን። ምኽንያቱ ቅዱስ ባስልዮስ ክምህር እንከሎ ኣብ ወርቂ መንበር ተቐሚጡ፣ ብናይ ወርቂ ኣትራኖስ ወንጌለ ወርቅ ዘርጊሑ፣ ዘንጸባርቕ ካባ ተኸዲኑ፣ ጽሩይ መጠምጠምያ ኣብ ርእሱ ጌሩ፣ ሃሪ ዝመትሓዚኡ ጽቡቕ ጭራ ሒዙ ምእመናን ክምህር ከሎ ስለ ዝረኣዮ በዚ ከኣ "*ወተሐሠዐ ልቡ ለኤፍሬም ከመ ሥጋዊ ውእቱ*" ከምዚ ኢሉ ዝምህር ድኣ ከመይ ኢሉ ቅዱስ ክኸውን ይኽእል ኢሉ ቅዱስ ኤፍሬም ተጠራጠረ" በለ።

ንመእመኒኡ ዝኾኑ እዞም ዝስዕቡ ኣርባዕተ ነገራት ምስ ረኣየ ክኣምን ክኢለ።

1. ቅዱስ ባስልዮስ ቃል ኣምላኽ ክሰብኽ ከሎ ካብ ኣፉ ከም ነጸብራቕ እሳት ኣናወፅኡ ነቶም ህዝቢ ኣብ ልቦም ኣትዩ ክወሃህዶም ረኣየ።
2. ርግቢ ናብ ርእሲ ቅዱስ ባሰልዮስ ክትዓልብ እንከላ ረኣየ።
3. ታሃዋስያን (ዝምቢ) ኣብ ክዳኑ እንተዓለቡ ተቓጺሎም ከም ቆሎ ክረግፉ ረኣየ።
4. ስሙ ዘይፈልጦ ከሎ ሃገሩ ከይሓተተ ኤፍሬም ሶርያዊ፡ ኤፍሬም ለብሃዊ ኣብ ኩርናዕ ቤተክርስቲያን ቆይሙ ይጽልየልኩም ኣሎ እሞ ጸውዑለይ ኢሉ ኣጸውየ።

ቅዱስ ኤፍሬም ብኣተርጓሚ ምዝርራብ ስለ ዘየዕገቦ ኣቦይ ጸሊ እሞ ናተይ ቋንቋ ንሜኻ ናትካ ቋንቋ ንዓይ ተገሊጹ ክንዘራረብ በሎ። ንሱ ጸለየ ከምቲ ዝደለዮ ከኣ ኮነሉ። ምሉእ ለይቲ ክጻወቱ ሓደሩ።

ቅዱስ ባስልዮስ ዝለበሶ ክቡር ልብሲ ሰለ ክብረ ወንጌል እዩ እምበር ልብሱስ ወጮ (ማቕ) እዩ ነይሩ። ከምዚ ሎሚ ካህናት ምእንቲ ክብረ ሥጋሁ ወደሙ፡ ስለ ክብረ ወንጌል፡ ክብሉ ወርቃዊ ኣክሊል፡ ናይ ክብሪ ልብሲ ግርማ ለቢሶም እንርእዮም ማለት እዩ።

ቅዱስ ኤፍሬም ኣብቲ ዝተዋህቦ ሃገር ስብከት ወንጌል እናመሃረ ክቕመጥ ከሎ ሓንቲ ካብ ኣዋልድ ነገሥታት ዝኾነት ሰበይቲ ኩሉ ዝፈጸመቶ ኃጢኣት ኣብ ጥራዝ እናጸሓፈት ተቐምጥ ነበረት። ስለምንታይ እንተበልና ንምንጋሩ የሕፍራ ስለዝነበረ፡ ኣዝዩ ኻኣ ስለዝበዝሐ ይብል።

ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ዝጸሓፈቶ ኃጢኣት ጠቕሊላ ንቅዱስ ባስልዮስ "ኣቦየ ኣብዚ ዘሎ ኩሉ ኃጢኣትኪ ይደምስሰልኪ በለኒ" በለቶ ንሱ ይፈሓቕልኪ በለ። ገንጺሉ እንተረኣየ ኩሉ ተፋሒቑ ከብቅዕ ሓንቲ ከይተደምሰሰት ተረፋ ረኣየት። ንዓኣ *"ዘዕቀብት ነረር"* ይብላ። ንምፍጻማ ኾነ፡ ንምርኣያ ብጣዕሚ ተሕፍር እያ። ኣቦይ እዚኣኸ ደኣ በለቶ። ንሱ "እዚኣስ ንቅዱስ ኤፍሬም ሶርያዊ ደኣ እንተተኻእሎ ሕተቲዮ እምበር ኣነስ ኣይተኻእለንን" በላ። ዘይከኣሎ ኮይኑ ዘይኮነስ ቅዱሳን ልማዶም ናይ ባዕሎም ክብሪ ካብ ምግላጽ ናይ ብጻዮም ክብሪ ክግለጽ ስለዝፈትዉ እዩ።

ከምኡ እውን ነታ ተነሣሒት ሰበይቲ ላዕልን ታሕትን ብምባል እንተደኸመት ጸማ ክኾና እቲ ንሳ ትደክሞ ኸኣ ኣብ ቀኖና ኣትዩ ንስሓ ስለዝቕጸረላ በዚ ናብ ቅዱስ ኤፍሬም ክትከይድ ነገራ።

ናብ ቅዱስ ኤፍሬም ከይዳ ይፈሓቕልኪ በለኒ በለቶ። ንሱ ኸኣ ከምቲ ቅዱስ ባስልዮስ ዝበላ ናይ ትሕትና ቃል "እዝስ ንቅዱስ ባስልዮስ ሊቀ ጳጳሳት ደኣ እንተተኻእሎ እምበር ኣነስ ኣይከኣልኩን" በላ። ዘይከኣሎ ኮይኑ ኣይኮነን ከምቲ ኣቕዲሙ ዝተባህለ ድማ ነታ ተነሣሒት ሰበይቲ ኣብ ቀኖና ተቕጺሩ ጻማ ደኻማ ንኽትረክብ ኃጢኣታ ክሕደገላ ማለት እዩ።

"ኬድኪ ግና ከምቲ ዝሓደግኪዮ ብሕይወተ ሥጋ ዘይኮነስ ሞይቱ ክቕብርዎ፡ ሬስኡ ተሰኪሞም ናብ መቓብር ክወስድዎ ክትረኽብዮ ኢኺ። እሞ ከይተጠራጠርኪ ኣብታ ሬሳኡ ኣቕምጥያ፡ ሽዕኡ ኃጢኣትኪ ክሕደገልኪ እዩ ኢሉ ኣእሚኑ ኣፋነዋ። ከምቲ ዝበላ ኮይኑ ጸንሐ። ንሳ ግና ከምታ ቅዱስ ኤፍሬም ዝበላ ገበረት። በዚ ድማ ኃጢኣታ ተደምሰሰላ፡ እዚ ከኣ ኣቦታት ካህናት ብሕይወተ ሥጋ ከለዉን ምስ ሞቱን ኃጢኣት ከምዘስተስርዩ የረድኣና። (ዮሐ ፳፥፳፫/ 20፡23)። ቅዱስ ኤፍሬም ምጽዋት ክምጽውት ከሎ ብስም ቅድስት ድንግል ማርያም እዩ ዝምጽውት። ምስጋናኣ ከም ሑፃ በዚሑለይ፡ ከም ከዋክብቲ ሰማይ እንተዝርኢ ከም መግቢ ምተመገምክዎ፡ ከም ልብሲ ምቸኽደንኩዎ፡ እናበለ ይምነ ነበረ። ልዑል እግዚኣብሔር ልመናኡ ሰሚዑ ገለጸሉ። በዚ ድማ ሽሕ ዝኣክል ቁጽሩ ድርሳናት *"ኣኃዝ እግዚኦ መዋግደ ፀጋኽ"* ክሳብ ዝብል ኮነ። ዝጽልዮ ጸሎት ጸሎተ እግዝእትነ ማርያም ብዕድሚኣ ልክዕ ፷፬ (64) ግዜ ይጽሊ ነበረ (ሉቃ ፩፥፴፩/1፡41)። ውዳሴ ማርያም ዝደረሰ ቅዱስ ኤፍሬም እዩ። ክደርስ ከሎ ፲፪ (12) መላእኽቲ ይኸብዎ ነበሩ። ፲፪ (12) ሽሕ ድርሰታት ደሪሱ። ነቲ ዝበዝሕ መላእኽቲ ወሰድዎ፡ ካብቶም ፯ (7) ምድራውያን መላእኽቲ ደረስቲ ዝተባህሉ መበል ፫º እዩ።

ዕረፍቱ ኣብ ፴፪ (42) ዕድሚኡ ሓምሌ ፲፭ (15) ዓረፈ፡ ኃኽብሩ ፳፬ (24) መላእኽቲ ወረዱ።

- ሰላም ለኤፍሬም ከመ ርግብ ተመሲሉ።
- መንፈስቅዱስ ዘርእየ ለርእሰ ባስልዮስ እንዘ ይጼልሎ፡
- ውሒዘ ድርሳናት ብዙኅ ሶበ ለልቡ ኀየሎ፡
- ኣኃዝ እምኔየ መዋግደ ጸጋከ ኮሎ፡
- ለእግዚኣብሔር ኣምላክ እንዘ ይብል ሰአሎ።

***ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።***

**ምንጭ፡-** - ታሪኽ ቅዱሳን
- ስንክሳር ፲፭ ሓምሌ

✠ ✠ ✠

## ታሪክ ቅዱስ አቡነ ሰላማ ከሣቴ ብርሃን ጳጳስ ዘሃገረ ዓግኣዚ

ጸሐፊ ታሪክ ቤተክርስቲያን ሩፊኖስ ካብ ኣደስዮስ መማጽእቲ ኣባ ሰላማ ሐቲቱ ዝጽሓፎ “ ኣባ ሰላማ ጳጳስ ህንዲ ኮይኑ ተሸመ እሞ ኣብ ህንዲ ብዙሓት ኣብያተ ክርስቲያናት ተኸለ” ይብል ሃገርና ኤርትራ ክርስትና
ዝተቐበለቶ ኣብ ቀዳማይ ክፍለ ዘመን ኣብ ምእታዉ ኪኸውን ከሎ ብመሠረት ሕጊ ሲኖዶስ መንበር ኤጲስቆጶስነት ዝረኸበ ቶ ግን ኣብ ናይ ፬ይ ክፍለ ዘመን እዩ።

1. ሜሮጵዮስ ዝተባህለ ሸቃጣይ (ፈላስፋ) ምስ ክልተ መን እሰያት ዘመዱ ብምኻን ካብ ጢሮስ ተበጊሱ ናብ ኣንፊት ህ ንዲ ጉዕዞ ብጃልባ ጀመረ። እዞም ክልተ መንእሰያት እቲ ዓ ቢ ፍሬምናጦስ ነቲ ንእሽቶይ ድማ ኣደስዮስ ይበሃሉ። እዚ ክርስቲያናዊ ሰብ ነዞም መንእሰያት ኣሰንዩ ናብ ኣፍሪቓ ናይ ባሕሪ ገማግምብምምጻእ ኣብ ወደብ ቀይሕ ባሕሪ ማይ ንምስ ታይን ንእግረ መንገዱ ድማ ሃገር ንምርኣይን ነታ ጀልባኣብ ቲ ደንደስ ደው ኣበላ።
ኣብቲ ከባቢ ባሕሪ ዝነበሩ ሰባት (ነበርቲ ኣዱሊስ) ኣብ ልዕ ሊ'ቲ ጀልባ ሓደጋ ብምውራድ ሜሮጲየስን ናይ'ታ ጀልባ ጀ ለብትን ኣብኡ ቀቲሎም ሃብቶም ዘረፍዎም።
ፍሬምናጦስን ኣደስዮስን ኣብ ዘይፈልጥዎ ነገር ብዘይ ዘመድ ን ሃብትን ጥርሑም ስለዝተረፉ እናሓዘኑንእናበኸዩን ኣብ ት ሕቲ ገረብ ኮይኖም ክጽልዩ ጀመሩ። ነዞም መንእሰያት እዚ ኣቶም ብምርኣዮም ዝተገረሙመንገደኛታት ካብቲ ቦታ ኣልዒ ሎም ንንጉሥ ኣክሱም ምርኮ ኣምጺናልካ ብምባል ኣረከብዎ ።
ንጉሥ ታዜር (ኢዛና) ኣብ ቤተ መንግሥቲ ኣክሱም ክዓብ ዩ ምሉእ ፍቓዱ ስለዝኾነ ፍሬምናጦስን ኣደስዮስን ምስ ደቀ ንጉሥ ታዜር ኣብርሃን ኣጽበሃን ብሓደ ዓበዩ። ብኣእምሮ ም፦ በሳሎምን ብጥበብ ምእባዮምንዝተመልከተ ንጉሥ ታዜር፡ ፍ ሬምናጦስ ኣኽባሪ ሕግን ጸሓፍን፡ ንአደስዮስ ድማ መጋቢ ጌ ሩ ሾሞም።
እቲ ንጉሥ ምስ ሞተ እዞም ክልተ መንእሰያት ናጻ ስለዝተ ገደፉ ናብ ሃገሮም ንምኻድ ክብገሱ ከለዉ መንግሥትነት ብ ሞግዚትነት ዝተረከበቶ ንግሥቲ ኣሕየዋ ኢዛናን ሳይዛናን ( ኣብርሃን ኣጽበሃን) ዓብዮም ዙፋን መንግሥትነት ክሳብ ዝርከ ብዋ ብምምሕዳር ንኽትሓጋግዝዋ ስለዝለመነቶም ምኻዶም ገ ዲፎም ብምምሕዳራዊ ምኽሪ ክደጋገፍዋ ጸንሑ።
ፍሬምናጦስ ንእምነት ክርስትንኡ ቀናኢ ስለዝነበረ ኣቐዲሙ ብወዲ እዚ ከባቢ ተሰቢኹ (ብ320 ዓ.ም.) ኣብ ኣክሱምን ከባቢኣን ዝነበረ እምነት ክርስትና ዝሰፍሓሉ መንገዲ ወትሩ ይሓስብ ነበረ። ደቂ እዚ ዞባ'ዚ ክርስቲያናት ብሃይማኖት ይሓዝኑ ከምዝነበሩ ተመልከተ።ፍሬምናጦስ፡ ኣብርሃን ኣጽበሃን መንበረ መንግሥቶም ክርከቡከለዉ ኣቐዲሞም ብሓባር ብምዕ ባዮም ብሕውነታዊ መንገዲ ዘልዕለሎምን ዝተማሃሮ ዘስተ ምህሮምን ዝነበረ ጉዳይ ኣዘኻኺሮም። ኣብርሃን ኣጽብሃን ዋላ ኳ እንተዘይተጠምቑ ናይ ፍሬምናጦስ ስብከት ስሒብዎም ና ይ ነቢያት ትንቢት ተፈጺሙሎምብምርኣዮም ደስ ኢልዎም እምነት ክርስትና ኣቐዲሞም ተቐቢሎም ስለዝነበሩን በዚ ኣገ ዳሲ ነጥቢ'ዚ ኣትሪሮም ብምሕሳብ ምስ ፍሬምናጦስ ድሕሪ ምዝታዮም ንትግባረ እዚ ጉዳይ'ዚ ኣብቲ ዘመን'ቲ (ሳልሳይ ክ/ዘመን) ናይ ኣፍሪቃ ናይ እምነት ክርስትና ማእከል ናብ ዝነበረት ግብጺ ለኣኽዎ። ፍሬምናጦስ ግብጺ ምስ በጽሐእለእ ስክንድሮስ ንኣትናቴዎስ ኣሰንዩ ናብ ጉባኤ ኒቅያ ክሳተፉ ከ ይዶም ስለዝነበሩ ክሳብ ዝምለሱ ትምህርተ ቤተክርስቲያን እ ናተማሃረ ብትዕግሥቲ ክጽበዮም ናይ ግድን ኮነ። በዚ ድ ማ ኣስታት ኃሙሽተ ዓመት ጸንሐ።
ኣቦና ቅዱስ እለእስክንድሮስ ኣብ ጉባኤ ኒቂያ ብናይ ቅዱስ ኣቦና ሊቀ ዲያቆናት ኣትናቴዎስ ኣፈ ጉባኤነት ንኣርዮስ ረ ቲያም ድሕሪ ምምላሶም ስለዝዓረፈኣብ መንበሩ ኣቦና ቅዱስ ኣትናቴዎስ ተተከአ። ኣቦና ቅዱስ ፍሬምናጦስ ዝተለኣኽሉ ዓ ቢ ጉዳይ ንሓዋርያ ኣቦና ቅዱስ ኣትናቴዎስ ኣቐረበሉ። ቅዱ ስ ኣትናቴዎስ ናይ'ዚ ከባቢ እምነት ክርስትና ብዝግባእ ድ ሕሪ ምርዳእ ንኣቦና ቅዱስ ፍሬምናጦስ ሥርዓተ ቤተክርስቲ ያን ኣስተምሂሩ፡ *“ኤጲስ ቆጶስ ዘኣክሱም ወዘኩላ ምድረ ኣግዓዚ”* ኢ ሉ ብቅብዓትን ኣንብሮተ እድን ብክህነትን ሾይሙ ለኣኸ።
ኣቦና ቅዱስ ፍሬምናጦስ መዓርገ ጵጵስና ተቐቢሉ ናብ ሃገር ና ድሕሪ ምምላሱ፡–

1. ትምህርተ ወንጌል ብሰፊሕ ዝርገሐ ንሕዝቢ ኣብጺሑ፡ ዘጥምቁን ዘቕጕርቡን ካህናትን ዲያቆናትን ሾመ።
2. ብኣብርሃን ብኣጽብሃን ቅዱሳን ኣሕዋት ነገሥታት ኣቢሉ ሓያሎ ኣብያተ ክርስቲያናት ኣህነጸ።
3. ኣብቲ ዘመን ናይ'ዚ ዞባ'ዚ ግዝኣት ዝነበራ ኑብያ፡ አኒኖእን መረዊየ ሓሙሽተ ቆሞሳት ብምልኣኽ ትምህርተ ወንጌል ቤተ ክርስቲያን ክሰፍሕን ክስበኽን ገይሩ።
4. ቅዱሳት መጻሕፍቲ ካብ ስሩስት (ሶርያ) ዕብራይስጥን ግሪኽን ናብ ግዕዝ ክትርጕሙ ገይሩ። ንኣብነት፡- መጻሕፍቲ ሓዲስ ኪዳን፡ ቅዳሴእግዚእ፡ ቅዳሴ ሓዋርያት፡ኪዳናትን ካልኦትን...
5. ናይ ሳባውያን ናይ ፊደል ኣቀማምጣ ብምልዋጥ ካብ ጸጋም ናብ የማን ናይ ምጽሓፍን ምንባብን ሜላ ዘስተማሃረ ንሱ እዩ።

በዚ መሠረት'ዚ ድማ እምነት ክርስትና ናይ ሃገርና ሃገራዊ እምነት ኮይኑ ብ፫፻፶(350) ዓ.ም. ክእወጅ ገይሩ። ሃገርናን ዚ ዓቢይ ቅዱስ ኣቦ ብሃይማኖቱን ብምግባሩን ስለዝፈተወቶ «ኣቡነ» ኣቦና ዝብል ማዕርግ ንመጀመርያ ግዜ ዝሃበቶ ንዕኡ እዩ። ብዘይ ሓደ ጸገም ብሰላም ስለዝሰበኸ ኣባ ሰላማ በልዎ ከምኡ'ውን ብግብሪ ብርሃኑ (ሠናይ ተግባሩ) ድማ «ከሣቴ ብርሃን» ናይ ብርሃን (ጽድቂ) ገላጺ ኢሎም ሰመይዎ።

ኣቡነ ሰላማ ከሣቴ ብርሃን ዝተባህለ ፍሬሚናጦስ ኣብ ሃገርና እምነት ክርስትና ብዝያዳ ከስፍሕ ካብ ሰሜን ክሳብ ደቡብ፡ ካብ ምዕራብ ክሳብ ምብራቕ ብምውጻእን ምውራድን ዝግባእ ኮሉ ስራሕ ድሕሪ ምፍጻሙ ሓምለ ፭፮/፫፻፹/26,380ዓ.ም. ብሰላም ዓረፈ።እዚ ዓቢ ኣቦ'ዚ ናይ ሃገርና ባዓል ሠናይ ውዕለት፡ ናባና ቅዱስ ወንጌል ብዝበለጸ ኀኽበርህ ዝገበረ፡ መንበረ ጵጵስና ዘምጽኣልና፡ ሥርዓተ ቤተ ክርስቲያን ንሃገርና ዝወጠነልናን ሓያሎ ኣብያተ ክርስቲያናት ዘህነጸልና እዩ'ሞ ዘወትር ክንሓስቦ ክብሪ በዓሉ ብዝደመቐ ከኽብሮ ይግብኣና። ቅዱስ ስእሉ ኣብ ቤትና ክህሉ ይግባእ።

እቲ ዘተሓሳስብ ነገር ግን ቤተ ክርስቲያን ዝርከበሉ ኣብ ዛግር እንተዘይኮይኑ ኣብ መብዛሕትኡ ክፋላት ሃገርና ክብረ በዓሉ ኣተኵሮ ዘይምሃቡ እዩ። ኣብ ኣሥመራ ይኹን ኣብ ካልኦት ርእሰ ከተማታት ናይ ዞባታት ሃገርና ብስሙ ዝጽዋዕ ሓደ ቤተክርስቲያን ዘይምህላዉ ብታሪኽን ብእግዚኣብሔርን ዘወቕሰና እዩ።

ኤፍ. ጂ. ሆልዊክ ዝተባህለ ጸሓፊ ከምዝገለጾ ኣብ ጥንታዊት ሎዩሲያና (ኣብ ግዝኣት ዩናይትድ እስቴት)ብ1787 ዓ.ም. ደቂ'ቲ ከባቢ ብልዑል ዝኾነድምቀት ናይ ቅዱስ ፍረሚናጦስን በዓል ከኽብርዎ ምዕዛቡን ንሳቶም ድማ ካብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ብባርነት ዝኸዱ ጸለምቲ ምኻኖም ምርግጋጹ ጽሒፉ ኔሩ።

“ወዲ ሩባ ማይ ጸሚእዎ”ከም ዝበሃል ንሕና ክንርስዖ ከለና ንሳቶም ግን ሓቢሮም እዮም ዘወትር ዘኽብርዎ። ካልእ ዘተሓሳስብ ጉዳይ ናይ ሮማ ካቶሊክ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ጥቅምቲ ፳፯(27) ናይ ግሪኽ ቤተክርስቲያን ድማ ኣብ ሕዳር በዓሉ ከኽብርዎ ከለዉ ዝኾመቶን ዝለኣኽዎን ናይ ግብጺ ቤተክርስቲያን ግን ፈጺማ ካብ ሥርዓት (ቀኖና) በዓላታ ምውጻእ እዩ።ኣብ ሃገርና ከምኡውን ብስሙ ኣብ ዝተቐርጸ ታቦት ኣብ ዛግር እውን ናይ ኣቡነ ሰላማ ከሣቴ ብርሃን ንዋያተ ቅዱሳት ተዓቂቡ ኣለው። ናይ ቅዱስ ኣቡነ ሰላማ ከሣቴ ብርሃን ጸሎትን በረከቱን ምስ ኮላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

- ሰላም ሰላም በቃለ ትፍሥሕት እብሎ፡
- እንዘ አዓብዮ ወአሌዕሎ፡
- ሰላማ ማኅቶት ዘምሕረት ወተሣህሎ፡
- አሥረቀ በኤርትራ ለብርሃነ ክርስቶስ ፀዳሎ፡
- እንዘ በላዕሌሃ ጽልመት ወቆባር ሀሎ።

***ምንጪ፡-ሰንክሳር ዕለት ፭፮ ሐምሌ***
***ታሪክወተዋሕዶ ቤተክርስቲያን ኤርትራ ብ፲፱፻፺፫ ዓ.ም.ግ.***

✠ ✠ ✠

## ታሪክ ቅዱስ ድሜጥሮስ ተካሌ ወይን ሊቀ ጳጳሳት ዘእስክንድርያ

ተኻሊ ወይኒ ብዝብል ዝፍለጥ ቅዱስ ድሜጥሮስ ብ119 (፩፻፲፱ ዓ.ም.) ኣብ ሃገረ ግብጺ እዩ ተወሊዱ። ወለዱ ብመንገዲ እግዚኣብሔር ዝመላለሱ ሕያዎትን ቅኑዓትን ክርስቲያን ስለዝነበሩ ውላድ ወሊዶም ክስዕሙ ብዝነበሮም ሃረርታ ድሌቶም ክፍጸመሎም ብጾምን ጸሎትን ናብ እግዚኣብሔር ቀረቡ እሞ፣ ወዲ ወሊዶም ድሜጥሮስ ኢሎም ሰመይዎ። ብጀክኡ ካልእ ውላድ ስለዘይሰዓሙ ደቂ ወዶም ክስዕሙ ብምምናይ ኣብ መበል ፲፭ (15) ዓመቱ ቀልጢፎም ኣመርዐውዎ።

ንሱ ግና ንወለዱ ከየጉህዮም ብምባል እንተዘይኮይኑ ኣብ ሕልንኡ ናይ መርዓ ሓሳብ ዝብሃል ኣይነበሮን። ከመይሲ ንሱ ዝመረጾ ሕይወት ድንግልና ዓቂብካ ብንጽሕና ምንባር እዩ። እዚ ሓሳብ'ዚ ግን ብወለዱ ዝፍለጥ ኣይነበረን። ኮይኑ ግና ዋላ ኣንጻር ዕላምኡን ድሌቱን እንተነበረ “ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር” ዝብል ኣምላኻዊ ትእዛዝ ምእንቲ ከይጥሕስ ግን ፍቕድ ወለዱ ክፍጽም ሕራይ ኢሉ ተመርዓወ።

ከምዚ ኢሉ ኸኣ ምስታ እተመርዓዋ ሕያወይቲ በዓልቲ ቤቱ ተክለ ወይን ሓዳር መሥረቱ ን፴፱ (49) ዓመት ብፍቕርን ስኒትን ተቐመጡ። ከምዚ ኢሎም ከም ሰብኣይን ሰበይትን ኮይኖም ዋላ እንተ ተቐመጡ ክልቲኦም ድንግልንኦም ዓቂቦም ብንጽሕና ክነብሩ ብዝገበርዎ ቁርጺ ሓሳብ ብሩካቤ ሥጋ ተራኺቦም ኣይፈልጡን እዮም። ከም ክልተ ካብ ሓደ ማኅጸን ዝወጹ ኣሕዋት ኮይኖም ከኣ ናብርኦም ቀጸሉ ኣብ ኩሉ መነባብርኦም ኮነ መንገዶም ረድኤተ እግዚኣብሔር ምስኣቶም ነበረ። ምክንያቱ መልኣኽ እግዚኣብሔር ሓደ ክንፉ ንዕኡ፣ ሓደ ክንፉ ንዕኣ ከዲንዎም ሓዲሩ ንግሆ ይኸይድ ነበረ።

ናይ'ዞም ክልተ ሕያዎት ሰባይ ምሥጢራዊ ሕይወት ከምዚ ኢሉ እናቐጸለ ከሎ ሓደ መዓልቲ ኣብ ዘይእዋኑ ዝፈረያ ሸውዓተ ናይ ወይኒ ዘለላ ኣብ ሕርሽኡም ስለዝረኸቡ እዚ ዘይልሙድ ተራእዩ ዘይፈልጥ እዩ ኢሎም በቲ ናይቲ ወይኒ ፍርያት ኣዝዮም ተገረሙ። ነቲን ዝፈረያ ዘለላ ወይኒ ወሲዶም እውን ነቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ መንበረ ማርቆስ ተሸይሙ ዝነበረ መበል ዓሠርተ ሓደ ፓትርያርክ ኣቡነ ዮልያኖስ ክህብዎ ተሰማምዑ በዚ መሠረት'ዚ ድማ ድሜጥሮስ ነተን ናይ ወይኒ ዘለላ ሒዙ ናብ ኣቡነ ዮልያኖስ ከደ።

ቅዱስ ፓትርያርክ ኣቡነ ዮልያኖስ ዘምጽኦ ምክንያት ምስ ፈለጠ ብዓቢ ፍቕርን ኣኽብሮትን ተቐበሎ። እቶም ኣብ ከባቢ ፓትርያርክ ዝነበሩ ሰባት ግን ንሓደ ተራ ሓረስታይ ክንድ'ዚ ዝኣክል ኣኽብሮት ጌሩ ክቕበሎ እንከሎ ክውሓጠሎም ኣይከኣለን። ከመይሲ ቅድሚ'ዚ ኣብ ዘሎ እዋን እቲ ወይኒ ሒዝልካ ዝመጽኦ ሰብ ድሕሪኻ ንዳኻ ዝትክእ ፓትርያርክ ክሸውን እዩ፣ ዝብል ራእይ ርእዩ ስለዝነበረ በዚ ምክንያት'ዚ እዩ ንድሜጥሮስ ብኣኽብሮትን ብፍቕርን ዝተቐበሎ።

ድሕሪ'ዚ ቁሩብ እዋን ቅዱስ ፓትርያርክ ኣቡነ ዮልያኖስ ምስ ዓረፈ ኣብ መበል 181(፪፻፹፩ ዓ.ም.) ፓትርያርክ ክሸውን ተባሂሉ ተደልዩ ብምምጻእ ኣብ መንበረ ማርቆስ ፓትርያርክ ኮይኑ ብምሻም ተቐመጠ። ንሱ ቤተክርስቲያን ይመርሓሉ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ብዛዕባ በዓላትን ኣጽዋማትን ዝውዕልሉ ዕለት ዘይምስምማዕ እናተረኽበ የሸግር ስለዝነበረ ኣብቲ እዋን እቲ እዚ ጉዳይ'ዚ ጸገም ኮይኑ ተረኺቡ ብምንባሩ ታሪኽ ቤተክርስቲያን መዝጊብዎ ኣሎ። ቅዱስ ዲሜጥሮስ ግና እቲ ቅኑዕ መልሲ ካብ እግዚኣብሔር እዩ ዝርከብ ኢሉ ስለዝኣመነ ሱባኤ ኣትዩ ብመንገዲ ጸምን፣ ጸሎትን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ቀረበ እቲ ምሥጢራት ስለዝተገልጸሉ ድማ እዚ ሕጂ ቤተክርስቲያንና ትጥቀመሉ ዘላ ኣቆጻጽራ ዘመን (ካላንደር) ከዳሉ ከኣለ። ናይ ዲሜጥሮስ ኣቆጻጽራ ዘመን ድማ ብ325 (፫፻፳፭ ዓ.ም.) ኣብ ጉባኤ ኒቅያ ጸደቐ።

ይኹን እምበር ቅዱስ ድሜጥሮስ ዋላ እኳ ብዙሉ ኮነታት ጽሩይ መንፈሳዊ ሕይወት ዝነበሮ ሓቀኛ ናይ ቤተክርስቲያን ኣቦ እንተነበረ ገለ ሰባት ግን ንሱ ዝተመርዓወ እዩ ብምባል ታሪኹ ኣካፊኡም የውርዩ ነበሩ። እዚ ወረ'ዚ ድማ ካብ ቅዱስ ድሜጥሮስ ክሕባእ ኣይተኻእለን። ድሕሪ'ዚ ቅዱስ ድሜጥሮስ

እቲ ሕዝቢ ከይዕንቀፍ ብምሕሳብ እቲ ሓቀኛ ታሪኽ ኣብ ኣደባባይ ኣብ ቅድሚ ሕዝቢ ክንገር ደለየ።
በዚ ድማ ሓደ መዓልቲ ባዕሉ ቀዳሲ ኮይኑ ኣብ ዝቐደሰሉ እዋን ብድሕሪ ቅዳሴ እቲ ሕዝቢ ኣብቲ ቀጽሪ ቤተክርስቲያን ክጸንሕ ገበረ። ኣብቲ ዓውደ ምሕረት ከኣ ብመልክዕ ዳሜራ ብርቱዕ ሃልሃልታ ዝነበሮ ሓዊ ከም ዝነድድ ኣግበረ። ብዛዕባ'ዚ ኩሉ ግን እቲ ሕዝቢ ዝተረድኦ ነገር ኣይነበረን። እቲ ሃልሃልታ ሓዊ ኣዝዩ ምስ ነሃረ ከኣ ድሜጥሮስን በዓልቲ ቤቱ ተኽለ ወይንን ካብቲ ጉሁር ሓዊ ሓፊሶም ብነጸልኦም ተሰኪሞም ኣብ ቅድሚ እቲ ሕዝቢ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ተማላለሱ። እንኳን ዶ ኣካላቶም ክዳውንቶም' ውን ከንድድ ኣይከኣለን እቲ ሕዝቢ ድማ በቲ ዝረኣዮ ተኣምር ኣዝዩ ኣደነቐን ተገረመን።
ብድሕሪ'ዚ እቲ ቅዱስ ናይ ቤተክርስቲያን ኣቦ እቲ ሕዝቢ ከይዕንቀፍ ብማለት ኣብ መንነኡን ኣብ መንነ በዓልቲ ቤቱን ዝነበረ ድንግልና ዝዓቀበን ንጽሕና ዝሓለወን ሕይወት ገሊጹ ክነግሮም ግድነት ኮኖ። እዚ ኣቦ'ዚ ንካልኦት ኣርኣያ ክኸውን ብዝኽእል ቅድስና ዝመልኦ ሕይወት ቤተክርስቲያን ክመርሕ ምስ ነበረ ኣብ መበል 105 (፩፻፭) ዓመቱ ብ220 (፪፻፳ ዓ.ም.) ብሰላም ዓረፈ። ***ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲይስን ይኹን፡፡ ኣሜን!!!***

- ሰላም ለድሜጥሮስ ሐጋጌ ኣጽዋም እምነ ስቴ፡
- ወሠራዔ መብልዕ ዘጻንጠቁስቴ፡
- ሶበ ኢኮነ ለሊሁ በመንፈስ ቅዱስ ከሣቴ፡
- እፎ እም ኢተከሠተ ወእም ኢተረክበ በአይቴ፡
- ሓሳበ ኣዝማን ዘስሙ ኣበቅቴ።

***ምንጪ፦ ሰንክሳር ዕለት ፲፪ ጥቅምት***

✠ ✠ ✠

# ምዕራፍ ፫
# ምንኩስና ካብ ቀደም

መነኮስ ማለት ***"ዘርሕቀ እም ዓለም"*** ካብ ዓለም ዝረሓቐ መናኒ ማለት ክኸውን እንከሎ። ጀማሪኡ ከኣ ካብ ኣዳም 7ይ (፯ይ) ትውልዲ ዝኾነ ሄኖክ እዩ። እዚ ክፍለጥ ከሎ ኣቡኡ ያሬድ ውሉደ እግዚኣብሔር ዝተባህሉ ደቂ ሴት ብናይ ሰይጣን መጻወድያ ተታሒዞም ካብ ፍቓድ እግዚኣብሔር ወጺኦም ካብ ደብር ቅዱስ ክወርዱ ከምዝተበገሱ ምስ ሰምዐ ኣጸዊው ከምዚ ዝበለ ክፉእ ስራሕ ከይፍጽሙ ተቈጥየም፡ ኣምሒልዎም ከምዝነበረ ናይ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን መጻሕፍቲ ይነግሩና "እቱም ደቂ ሴት ወይለኹም፡ ሕደጉ ናይ ኣቦኹም መሓላ ኣይተፍርሱ። ናይ እግዚኣብሔር ትእዛዝ ዝገደፉ፡ ናይ ኣቡኡ መሐላ ዘፍረሰ፡ ካብ ደብሪ ቅዱስ ዝወረደ፡ ምስ ደቂ ቃኤል ኃጢኣት ዝፈጸመ ተመሊሱ ናብ ደብረ ቅዱስ ክኣቱ ኣይኽእልን እዩ" ኢሉ መኺርዎም ነበረ። ንሳቶም ግን ነዚ ምኽሩ ኣቃሊሎም፡ ካብ ደብር ቅዱስ ወሪዶም ምስ ኣዋልድ ደቂ ቃየን ዝሙት እናፈጸሙ ክስዕስዑ፡ ከቃልሉ፡ (ከነኣእሱ) ጀመሩ። ሄኖክ በዚ እናሓዘነ ምስ ጸንሐ ካብ ዝውለድ ፫፻፷፭ (365) ዓመት ክኸውን እንከሎ ካብ ዓለም ተፈልዩ ብጾም፡ ጸሎት፡ ጸኒዑ ናብ ማዕዶ ገነት ከይዱ ብግብሪ ምንኵስና ይነብር ነበረ።
ኣብኡ ከኣ ን6 (፮) ዓመታት ምስተጋደለ ብፍቓድ እግዚኣብሔር፡ ናብ ብሔረ ሕያዋን ዓረገ። (ዘፍ ፭÷፪/ 5÷2 ዕብ ፲፩÷፭/ 11÷5) ቴስብያዊ ኤልያስውን ንሄኖክ ኣብነት ብምግባር ብጾም ብትሕርምት፡ ብድንግልና ምስ ጸንሐ ብኣፍራሰ እሳት፡ ብሠረገላ እሳት ናብ ሰማይ ዓሪጉ (2ኦነገ ፪÷፲፩/2÷11) በዚ ከምዚ መኣስባንን ደናግልን ብሥርዓተ ምንኵስና ጸኒየም ንጹሓን ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣርጋብ ኮይኖም ናብ መንግሥተ ሰማይ ምዕራጎም ሄኖክን ኤልያስን ኣብነት ንገብር።
ሄኖክን ኤልያስን መነኮስ ማለት ካብ ዓለም ዝረሃቐ ማለት ክኸውን ከሎ ካብ ዓለም ርሒቐም ናይ ብሕትውና ስርሖም መነኮሳት የብሎምን።

ብተወሳኺ ውን ናይ እግዚአብሔር ኣገልጋሊ ካህን ኮይኑ ጸጉሩ ከይላጸየ፣ ጽፍሩ ከይቆረጸ፣ መስተ (ወይን) ከይሰተየ፣ ብስርናይን ብወይንን እናኣመስገነ ዝነብር፣ ዝነበረ መልከ ጼዴቅ ኣብነት ናይ መነኮሳት እዩ። (ዘፍ ፲፬፥፰-፳፫/14፥8-23, ዕብ ፯፥፩-፫/7፥1-5)።

ንዓለማውያን ሥርዓተ ምንኩስና ዝጀመረሎም ሄኖክ፣ ንደናግል ዝጀመረሎም ኤልያስ እዩ። እዚ ከኣ ንናይ ሓዲስ ኪዳን ምንኩስና መሠረት እዩ ማለት እዩ። ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ሓዋርያትን ኣርድእትን ዝመረጸ ካብ መኣስባንን ካብ ደናግልን እዩ። ኻኩላቶም ማዕረ ዝኾነ ሥልጣን ሂቡ ተተሻኺሎም ናብ መንግሥተ ሰማያት ከምዝወርሱ ገበረ።

ዮሓንስ መጥምቕ'ውን ንሄሮክን ኤልያስን ኣብነት ብምግባር ኣብ ገዳም ተወሲኑ፣ ናይ ገመል ጸጉሪ ተኸዲኑ፣ ሕቐኡ ብኣዲም ተዓጢቑ፣ ናይ መዓርን ወይንን መስተ ከይሰተየ ብግብረ ምንኩስና ጸኒዑ ነበረ (ማቴ ፫፥፬/ 3፥4, ሉቃ ፩፥፲፭/1፥15)።

መናፍቓን ከምዝብልዎ ምንኩስና ሰብ ዝመሃዝን ዝሰርሐን" ጽድቂ ዘይኮነስ ሰባት ናትና ዝበልዎ፣ ናይ እግዚአብሔር ጸጋ እዩ። ጐይታ ቤቱ፣ ሓዉ፣ ሓብቱ፣ ኣቡኡን ኣዲኡን፣ ሰበይቱን ደቁን ነዚ ኩሉ ሓዲጉ ዕጽፊ ክቐበል እዩ፣ ናይ ዘለዓለም ድሕነት ክረክብ እዩ፣ ኢሉ ስለ መዓርገ ምንኩስና ዕብየት ዝተናገሮ ቃል ብምርሳዕ "ምንኩስና ካብ ሕጊ ኣምላኽ ዝተፈልየ ከንቱ ሰብ ሰርሑ ጽድቂ እዩ" እናበሉ ምቅላል ካብ ፍኖተ ወንጌል ምውጻእ የመልክት (ማቴ ፲፱፥፳፱/ 19፥29)።

ቀጺሉ ኣብ ወንጌል ሉቃስ "ሓደ ሰብ ኦ ጐይታ ክኽተለካ እደሊ ኣሎኹ ግናከ ቅድም ካብ ስድራ ቤተይ ክሰናበት ፍቐደለይ" በሎ። "ኢየሱስ ግና ዕርፌ ብኢዱ ሒዙ ንድሕሪት ዝጥምት ንመንግሥቲ ኣምላኽ ኣይበቅዕን እዩ" በሎ። (ሉቃ ፱፥፷፩-፷፪/ 9፥61-62)። ናይ ሰብ ውህብቶ ዝተፈላለየ ስለዝኾነ ዝተሻእሎ ብድንግልና፣ መንኮሱ ከም ነቢይ ኤልያስ ንኣምላኽ የገልግል። ዘይተሻእሎ እንተኾነ ከኣ ከም ነቢይ ሄኖክ ቤት ሰሪሑ፣ ሰበይቲ ኣእትዩ፣ ሕፃናት ወሊዱ፣ ቀጺዑ፣ ኣዕብዩ ኣብዚ ዓለም ምስ ጸንሐ ይምንኮስ። ነዚ ኣብነቱ ከኣ ኣቦታትና ሐዋርያት እዮም። ቤቱ ንብረቱ፣ ሰበይቱ ደቂ ገዲፉ ናይ ምናኔ ስራሕ ይሰርሕ ማለት እዩ።

ኣብዚ ዓለምነዚ እናተቐመጡ ብዘይሓደ ነገር ንኣምላኽ ዘሓጕስዎ ሰባትውን ኣለዉ። ግን ልቢ ከይተኸፍለ ብምሉእ ኃይሊ ንፈጣሪ ንምምስጋን ምንኮስና ጽቡቕ እዩ። ቅዱስ ጳውሎስ "ኣነ ግና ብዘይሓልዮት ክትኮኑ ሃረርታይ እዩ። እቲ ዘይተመርዓወ ከመይ ገይሩ ንጐይታ ከም ዘሐጕሶ ብናይ ጐይታ እዩ ዝሓሊ፣ እቲ ዝተመርዓወ ግና ንሰበይቱ ከመይ ገይሩ ከም ዘሐጕስ ኣብ ናይ እዛ ዓለም እዚኣ እዩ ዝሓሊ፣ በዚ ከኣ ሓሳቡ ኣብ ክልተ ክፋል እዩ፣ እታ ዘይተመርዓወት ሰበይቲ ወይ ድንግል ድማ ሥጋኣን መንፈሳን ምእንቲ ክቕደስ ኢላ ብናይ ጐይታ እያ እትሓሊ። እታ ምርዕውቲ ግና ከመይ ገይራ ንስብኣያ ከም እተሐጕሶ ብናይ እዛ ዓለም እዚኣ እያ እትሓሊ። (1ይቆሮ ፯፥፴፪-፴፬/ 7፥32-34)።

ኣብዚ ብዛዕባ ምንኮስና ዘርዚርና ንምንጋርና (ንምጽሓፍና) ናይ እግዚአብሔር ጸጋ ከምዝኾነ ንምምልካት ድኣ እምበር፣ ኣዳምን ሔዋንን ሰብኣይን ሰበይትን ኮይኖም ምፍጣሮም፣ ብሓዲስ ኪዳን መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ "ስለዚ ሰብኣይ ኣቡኡን ኣዲኡን ይሓድግ ምስ ሰበይቱ ከኣ ይወሃሓድ፣ ሓደ ኣካል፣ ድማ ይኾኑ (ዘፍ ፪፥፳፬/ 2፥24, ማቴ ፲፱፥፬-፮/19፥4-6)።

◆ ◆ ◆

## ምንኩስና ኣብ ዘመነ ሊቃውንት

ሥርዓት ምንኩስና ኣብ ዘመን ኣበው ካብ እኒ ኤልያስ እኒ መልከ ጼዴቅ ተተሓሒዙ ምምጻኡ ኣቐዲምና ከምዝረኣናዮ፣ ድሕሪ ሐዋርያት ኣብ ፸(70) ኣርድእትን ከምቶም ቀዳሞት ሰባት፣ ከም እኒ ኤልያስ፣ ከም ዳሕረዎት ሰባት ከም ዮሓንስ መጥምቕ። ንጽሕና ሓልየ፣ ካብ ሰበይቲ ተፈልየ ንምንባር እደሊ" ኢሉ ሰብነቱ ንፈጣሪ ሓደራ ብምሃብ ናይ ምንኮስና ሕይወት ኣምሊኡ፣ ኣስፈሉ፣ ዝቐጸለ ኣባ እንጦንዮስ እዩ።

ናይ ኣባ እንጦንዮስ ኣቡኡ ሃብታም ሰብኣይ ነበረ። ሃገሩ ከኣ *“ጽኢድ ዘእም ፈለገ ኦቅብጣ”* ትበሃል። ስንክሳር ግን ብፍላይ ስማ “ቅማ” ይብላ። እዛ ሃገር እዚኣ ጥቓ ማይ ብምኹና ሳዕ ሪ፡ ሳግላ፡ ብዙሓት ኣግራብ ነበርዋ። ንብሕትውና ዝኸውን ዋሻ እውን ይርከባ እዩ።
ኣባ እንጦንዮስ ካብ ሕፃንነቱ ኣትሒዙ ናይ ቤተ ክርስቲያን ትምህርቲ እናተማህረ ጸንሐ፡ ድሕሪኡ ኣቡኡ ተመርያ እንተበሎ “ኣነስ ከምቲ ቀዳማይ ኤልያስ፡ ከምቲ ዳሕረዋይ ከም ቅዱስ ዮሓንስ መጥምቕ፡ ንጽሕና ሓልየ፡ ካብ ዓለም ተፈልየ፡ ንምንባር እየ ዝደሊ እምበር ሰበይቲ ምእታው ኣይደልን” ኢሉ ቁርጺ ሓሳባቱ ነገሮ። ኣቡኡ ግድን ስለ ዘይበሎ “ግዲ ካብ በልካስ ብናተይ ይኹን ብናትካ ፍቓድ ኣይኮነን ዝኸውን እቲ ዝኸውን ፍቓድ ሓደ ኣምላኽ እዩ'ሞ ናብ እግዚኣብሔር ኣመልኪተ ክመጽእ ኣፍቅደለይ” ኢሉ ነቡኡ ለመኖ። ኣቡኡ ኪድ ኣመልኪትካ ምጻእ ኢሉ ሰደዶ። ንሱ ኣብ ዋሻ ኣትዩ ሱባኤ ከይወድአ “ኣቦኻ ሓሚሙ” ኢሎም ነገርዎ ንዕለቱ ደንጊጹ እንተኸደ ዓሪፉ ስለ ዝጸንሐ ሠለስተ ነገራት ሓሲቡ ዘሎ ገንዘቡ ከምዝምጽውት ኮነ።

1ይ ንናይ ኣቦይ ሬሳ ኣብ መቓብር ከይኣተወ እንከሎ ነዚ ዝብላዕ መግቢ ኣብ ከብዲ ጥሙያት፡ መስቲኡ ኣብ ጎሮሮ ጽሙኣት፡ ክዳውንቲ፡ ኣብ ዝባን ዕሩቓት ይተዓደል ኢሉ እዩ።

2ይ ነቢይ ዳዊት “ወኢይወርድ ምስሌሁ ኩሉ ክብረ ቤቱ” ናይ ቤቱ ገንዘብ (ንብረት) ኩሉ ምስኡ ናብ መቓብር ኣይወርድን እዩ” ዝበሎ እዩ። (መዝ

3ይ ከኣ ዝምንን ካብዚ ዓለም እዚ ዝፍለን ስለ ዝኾነ ብሓሳባት ናብ ቤቱ ምእንቲ ከይምለስ እዩ። ነቲ ገንዘብ ክምጽውዎ እንከሎ *“ኣይቴ ኃይልኪ”* ኃይልኻ ኣበይ ኣሎ” *“ኣይቴ ኣእምሮትኪ”* ኣእምሮኻ ኣበይ ኣሎ፡ *“ወኣይቴ ፍጥረትኪ”* ፍጥረትካ ኣበይ ኣሎ፡ እናበለ ንኹሉ መጽወዶ።

*“ኣይቴ ኃይልኪ”* ማለቱ ሃብታም ሰብ ኣብ ሕይወቱ ክሰርሕ እንተበለ ስለ ዘይሽገር እዚ ኣበይ ኣሎ ክብል እዩ። ነቲ ገንዘብ መጽዊቱ ምስ ወድኡ፡ ኣቡኡ ምስ ቀበረ፡ ቅዳሴ ንኽሰምዕ ናብ ቤተ ክርስቲያን ከደ። *“ለእመ ፈቀድከ ትኩን ፍጹመ ሲዋ ኩሎ ንዋየከ፡ መሀብ ለነዳያን ወነዓ ትልወኒ”* ፍጹም ክትከውን እንተደሊኻ ኩሉ ንብረትካ ሸጥ እሞ ንድካታት መጽውዶ፡ መጺእካ ከኣ ተኸተለኒ” ዝብል ቃል ሰምዐ። ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ እዚ ኣዋጅ'ዚ ንዓይ እዩ ዝንገር ዘሎ ኢሉ ሓንቲ ሓብቲ ነበረቶ'ሞ ንዓኣ ናብ ደብረ ደናግል ኣጸጊው ናብታ ቀደም ዝነብረላ ዝነብረት ዋሻ (ጣሻ) ኣትዩ ተቐመጠ።
ሓደ መዓልቲ ወለተ ኣረሚ ናብ በዓቱ መጺኣ ዘይግባእ ነገር ምስ ተዛረበቶ “መነኮስ” ዝተባህለ ናይ ምናኔ ስም ብጸጋ እግዚኣብሔር ተገሊጹላ “ኣብ ቅድሚኡ ከምዚ ዝበለ ዘይግባኣ ነገር ንምንታይ ትዛረቢ፡ በላ። ንሳ “መነኮስ” ዝብል ካብ ናቱ ቃል ሰሚዓ *“ኦ እንጦኒ ለእመ ኮንክ መነኮሰ ሑር ውሰተ ገዳም”* ኦ እንጦንዮስ መነኮስ (ፈላሲ) እንተ ደኣ ኳይንካስ ናብ በረኻ ዘይትኸይድ ኢላ ስለ ዝተዛረበቶ እዚ ናይ'ዛ ሰብ እዚኣ ዘረባ ከም ምኽርን ከም ተግሳጽን ኮይንዎ *“ኦ እንጦኒ ለእመ ኮንክ መነኮሰ ሑር ውሰተ ገዳም”* ኦ እንጦኒ ፈላሲ እንተድኣ ኳንካስ ናብ በረኻ ዘይትኸይድ” ብምባል ባዕሉ ንባዕሉ እናተገሰጸ ገጹ እናጸፍዐን ጭሕሙ እናነጸየን ካብኡ ተላዒሉ ኣናብስትን ኣናብርትን ኣኽይስት፡ ዕንቅርቢት፡ ናብ ዘለዉሉ ፈለገ ማይ (ዓይኒ ማይ) ልምላሜ ዕፅ (ልሙዕ ገረብ) ናብ ዘየብሉ፡ ዘርኢ፡ ተኽሊ፡ ኣብ ዘይርከቦ በረኻ ንምንባር ናብ ገዳም ኣትፊህ ከደ።
እንጦንዮስ ኣብ ገዳም ኣጋንንት ጸር ኣጽንዑሉ። *“ኦ ሕጹጸ መዋዕል እፎ ደፈርከ ዝኦ”* እንጦንዮስ ዕድሜኻ ሓጺር ዝኾነ ናብዚ ክትመጽእ ክንደይ ደፌርካ መጃኻ እናበሉ ኣላገጹሉ። ንሱ ግን “ንሰኻትኩም ብዙሓት ኣነ ግን ሓደ፡ ንሰኻትኩም ረቂቓን ኣነ ግዙፍ ብኃይሊ እግዚኣብሔር እየ ዘሰንፈኩም እምበር ኣነስ ድኹም እየ” እናበለ ብትሕትና እናተዋግኦም ይነብር ነበረ።

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ጾር በርቲዕዎ ኣብ ኣፍ ደገ በዓ ቱ ጠጠው ኢሉ ተዘክሮተ እግዚኣብሔር ክገብር ከሎ ቅዱስ ሚካኤል ናይ ሰሌን ቆቢዕ ደፊኡ ናይ ሰሌን ልብሲ ለቢሱ፡ ናይ ሰሌን መዕጠቒ ተዓጢቑ፡ ዝርዙር ሰሌንውን ሒዙ ናብኡ መጽአ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ቅዱስ ሚካኤል ዝመጸሉ ምኽንያት ግና ስለ ዘይተረድኡ ንምንታይ ክገብር ኮን እዩ፡ ኢሉ ገጹ ናብ ምብራቕ መሊሱ ቆመ። ቅዱስ ሚካኤል መጀመርታ ናይ ቅድስት ሥላሴ ኣመልኪቱ ሠለስተ ግዜ ተኣምኖ(ሰላምታ) ገበረ። ድሕሪኡ *"ኣቡነ ዘበሰማያት"* ኣብጺሑ ኣብ መፈጸምታ ሓደ ግዜ ተኣምኖ (ሰላምታ) ገበረ። ኢድ ነሚኡ ተቐመጠ። ንግዚኡ ከኣ እቲ ዝርጉሕ ሰሌን ኣቕሪቡ ክትትዕ (ክሰርሕ) ጀመረ። ኣባ እንጦንዮስ ከኣ መፈጸምታኡ ከይረኣኹ ኣይከይድን እየ ኢሉ ተቐሚጡ ክዕዘብ - መረ።

ሰዓት ሠለስተ ክኸውን እንከሎ ምስራሕ ሰሌን ገዲፉ ተንሢኡ "ኣቡነ ዘበሰማያትን ስግደትን ልክዕ ከምቲ ናይ ቅድም ኣብጽሐ። እቲ ዝተረፈ እውን ማለት ናይ ተስዓቱ (ሰዓት 9) ናይ ሰርክ፡ ብኽምዚ መልክዕ ገሩ ኣርኣዮ። ኣብ ሰርክ *"ኦ እንጦኒ ከመዝ ግበር ወከመዝ ንበር፡ ወለእመ ገበርከ ዘንተ ትድኅን፡ እምጸብኣ ኣጋንንት"* ኦ እንጦኒ ከምዚ ግበር ከምዚ ኢልካ ከኣ ንበር። ከምዚ እንተገርካ ካብ ናይ ኣጋንንቲ ጾር ክትድሕን ኢኻ" በሎ። ከምዚ ገሩ ሥርዓተ ምንኵስና ኣስተምሃሮ።

ቅዱስ ያሬድ *" በትንብልና ሣህልከ ተዘከረነ ሚካኤል ሊቅ ኣበ ኵልነ ሰኣል ወጸሊ በእንቲኣነ "* ናይ ኵላትና ኣቦ ሊቀ መላእክት ቅዱስ ሚካኤል ብናይ ይቕሬታኻ ኣማላድነት ዘክረና ዝበሎ ናይ ምንኵስና ሥርዓት ንእንጦንዮስ ኣቦ ኮይኑ ስለ ዘስተምሃሮ እዩ እናተባህለ ዝትረኽ ነዚ እዩ።

እንጦንዮስ ናይ ምንኵስና ሥርዓት ኣጽኒዑ ንብዙሕ ዘመን ምስ ጸንሐ ወዲ ፴ ክኸውን እንከሎ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ተገሊጹ ኣብ ዕለተ ዓርቢ ዝለበሶ ልብሲ ኣልበሶ። ነዚ እዮም " ምርኣይ ካብ መልኣኽ፡ ምቕባል ካብ ኣምላኽ" ዝብልዎ። ቆቢዕ ናይ ኣክሊለ ሦክ፡ ቀሚሽ ናይ ከለሜዳ፡ ቅናት ናይ ገመድ፡ ኣስኬማ *"ወተመሰለነ በአስኬማሁ"* ብሰብነቱ መሰለና ከምዝተባህለ ሰብ ናይ ምኻኑ ምሳሌ እዩ። ካብዚ ብሄኖክ ዝተጀመረ ብእንጦንዮስ ምጽንዑ ንርዳእ።

## ስለ ልብሰ ምንኵስና ጥንታዊነት ዝሓዘ ምሳሌ እዩ

1. ናይ ብሉይ ኪዳን ሊቀ ካህናት ኣብ ውሽጢ ኢደ ጠባብ፡ ብልዕሊ ኢዱ ሰፊሕ፡ ኣብ ልዕሊኡ ከኣ መደረብታ ይገብር ነበረ። ነዚ ተኽዲኑ ደግኣዊ (ኣፍኣዊ) መስዋዕቲ ሰዊዑ ኣፍኣዊ ኃጢኣት የሥተስሪ ነበረ።
2. እሥራኤል ካብ ግብጺ ምስ ወጽኡ <u>ቆቢዕ</u> ደፊኦም፡ <u>በሎታ</u> ሒዞም <u>ዝናር</u> ተዓጢቖም፡ ጫማ ቀጺያም ከምዝተላዕሉ፡ መነኮሳት ከኣ ከምዚ ዝኣምሰለ ልብስ ለቢሶም ብምናኔ ወይ ከኣ ብሞት ካብዚ ዓለም እዚ ይፍለዩ።
3. ሥጋውያን ሓርበኛታት ቆቢዕ ደፊኦም፡ ዝናር ተዓጢቖም፡ ኮናት ዘሊሎም ሥጋዊ ጸላኢኦም ኣጥቒየም ምስ መጽኡ ነገሥታት፡ መኳንንት፡ ሽልማት ጽቡቕ ውህብቶ ይህብዎም። መነኮሳት ከኣ ልብሰ ምንኵስና ለቢሶም ረቂቕ ጸላኢኦም ምስ ኣጥቂዑ ሥላሴ ናይ ብርሃን ሽልማት የልብስዎም። እዚ ታሪኽ እዚ ሓደ ዝበቕዐ መነኮስ ዝረኣዮ እዩ። ሓደ ብቑዕ መነኮስ ሠለስተ ናይ ብርሃን ልብስ ክወርድ ርእዩ ነቲ መልኣኽ እንተሓተቶ " ካብ ሠለስቲኦም ናይ ብርሃን ልብስታት ሓደ <u>ንባሕታዊ ዝበጎድኣት</u>። ካልኣይ <u>*ንድውይ ዘበኣኰቴት*</u>። ነቲ ዘጋጥሞ መከራ ብምስጋና ዝቕበሎ። ሣልሳይ <u>*ለረድኤ ዘበጥብኣት*</u>። ንሓቀዐ ኣገልጋሊ፡ ዝወሃብ ክብሪ እዩ ኢሉ ኣረድኦ። <u>ጎድኣት</u> ማለት፡ ስቕታ፡ ዓቕሊ ጸጥታ ዕረፍቲ ርግኣት ማለት እዩ።

ሣልሳይ ኣብቲ ልዕሊ ልብሲ ከም ዘውዲ ክብኑት ዘለዎ ትርፍ ጌጽ ርእዩ ነበረ። እዚ እንታይ እዩ ኢሉ እንተ ሓተቶ " እዝስ ረድኤ ዘበጥብኣት በኃዲገ ልማድ፡ በመቲረ ፈቃድ ልምዲ ብምሕዳግ ዝረኽቦ ትርፊ ክብሩ እዩ" በሎ።

ናይ ምንኵስና ጥቕሙ ናይ የዋህ ጳውሊ ቃል ተገሊጹ እዩ። የዋህ ጳውሊን ኣባ እንጦንዮስን ብፍቕድ ኣምላኽ

ተራኺቦም ናይ ኣምላኽ ነገራት እናተናገሩ ምስ ቀነዩ “እዚ ካብ መን ረኺብካዮ” ኢሉ ስለ'ቲ ቆቢዕ ሓተቶ። ኣባ እንጦንዮስ ከኣ “ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ሂቡኒ” በሎ።
ኣብዚ ግዜ'ዚ ለዋህ ጳውሊ ናይ ጐይታ ለውሃት ርእዩ እናኣድነቐ፡ ቀደም ሰብ ብሕጊ ልቡና ይጠቕም ኢሉ ፈጠሮ። ብሕጊ ልቡና ምጥቃም ምኻን ምስ ኣበዮ፡ ሕጊ ኣሪት ሠርዓሉ። በዚ'ውን ክጸድቕ ምስ ዘይክእል ሕጊ ወንጌል ሠርዓሉ። ቅዱስ ሥግኡን ክቡር ደሙን እውን ሃቦ። ሎሚ ከኣ ንሰብ ንምጥቃምን ንምጽዳቕን ዝኸውን እዚ ምኽንያት ድሕነት'ዚ ኣምጽአ እናበለ ብተመስጦ ኣመስገነ። ኣባ እንጦንዮስ'ውን እዚ መዓርገ ምንኵስና ኣባይ ጥራይ ዝተርፍ እንተኾይኑ ወይ ከኣ ናብ ካልኦት ዝሓልፍ እንተኾይኑ ናብ እዚኣብሔር ኣመልክተለይ ኢሉ ለመኖ ከምዝተባህለ ናብ እግዚኣብሔር እንተ ኣመልከተ ንመጻኢ ብምንኵስና ዝውለዱ ዓበይቲ ሰባት ተገሊጾሙሉ። ተሐጉሱ ብብሩህ ገጽ ስለ ዝወጽአ “ እንታይ ተገሊጹልካ” ኢሉ ሓተቶ። ለዋህ ጳውሊ ከኣ፡- 1ይ ፀዓዱ ኣርጋብ ኣብ ጠፈር መሊኡም ንሸኻ እናመራሕካዮም፡ ተኸቲሎሙኻ ክኸዱ ርእየ በሎ። ንሳቶም ከኣ ናትካ መንገዲ ዝኽተሉ ንጹሓት ጻድቃን ደቅኻ እዮም በሎ።
ኣባ እንጦንዮስ ንሥርዓተ ምንኵስና ብዝበለጸ ንምሕዳስን ርእሰ መነኮሳት ንምኻንን ብምምራጹ ንኣባ መቃርስ ኣባ መቃርስ፡ ንኣባ ጳኩሚስ፡ ኣባ ጳኩሚስ ንኣባ ቴዎድሮስ፡ ኣባ ቴዎድሮስ ንኣባ ኣረጋዊ፡ ሥርዓተ ምንኵስና እናመሃሩ ብናይ ምናኔ ስርሑም ተኸተልዎ።
ብሓፈሻ ጐይታ ከም ዝተናገሮ ካብ ማኀጸን ኣዲኡም ኣትሒዞም ነዚ ክብሪ'ዚ ዝተሓርዩን ዝተፈለዩን መምህራን መኺሮም፡ ኣስተምሂሮም ነዚ ክብሪ'ዚ የብጽሕዎም ኣለዉ።
ብናቶም ጸዕርን ገድልን ተቐጥቂጦም ነዚ ክብሪ'ዚ ዝበቕዑ ኣለዉ። እዚ ኵሉ ዘመልክቶ ናይ ምንኵስና ሕይወት ፍቓድ እግዚኣብሔር ምኻኑ እዩ (ማቴ ፲፱፥፲-፲፪ /19፥10-19) (ኤር ፩)።

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ጻድቕ ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ኣቦ መነኮሳት

እዚ ቅዱስ ኣቦዚ ብ215 (፪፻፲፭ ዓ.ም) ከባቢ ተወሊዱ፡ ካብ ኣቦኡ ዓብደል መሲሕ ኣዲኡ ኡኸት ኣዚላ ይብሃሉ ዓዱ ጽኢድ ኣቅበጣ ትብሃል። ኣቡነ እንጦንዮስ ዓሌቱ ግብጻዊ እዩ። ወለዱ ብትውልዶም ምርኡያት፡ ብሃብቲ ሙሉኣት ነበሩ። ክርስቲያን ስለዝነበሩ ኣቡነ እንጦንዮስ ብክርስቲያናዊ ጥበብ ተኮስኵሱ ዓበየ። ብሕፃንነቱ ምስ ወለዱ ዓበየ። ብዘይካ ወለዱን ገዝኡን ካልእ ኣይፈልጥን ነበረ። ክዓቢ ከሎ ምስ ቆልዑ ምሕዋስ ይጸልእ ስለ ዝነበረ ምሳታቶም ኮይኑ ፈደላት ምቕዳር ተሓሰመ። ኣብ ናይ መግቢ ዓይነት ካብ ሕጻንነቱ ህርፋን ዝብሃል ኣይነበሮን። መዓርገ ዲቁና ካብ ኣባ ቴዎናስ ናይ እስክንድርያ ጳጳስ ተቐበለ። ኣቡነ ቴዎናስ ዓቢ ኣቦ መራሒ መነኮሳት ከም ዝኣውን ተነብዩሉ ነበረ። ድሕሪ ሞት ወለዱ ምስ ሓንቲ ሓብቱ ተረፈ ሸዑ ወዲ ፳ (20) ከባቢ ኣብ ዝኾነሉ ኃላፍነት ገዛን ኃፍቱን ናብኡ ኾነ። ድሕሪ (6) ፮ ወርሒ ንቤተክርስቲያን እናኸደ ከሎ ብዛዕባ ሓዋርያት ኩሉ ገዲፎም ንኣምላኽ ምኽታሎም የስተንትን ነበረ። ከምኡ እውን ነቶም ኣብ መጽሓፈ ግብረ ሐዋርያት ዘለዉ ሕዝቢ ንብረቶም ሸይጦም ነቲ ገንዘቦም ናብ እግሪ ሐዋርያት ኣምጺኦም ከከም ኣድላይነቱ ንዘድልዮ ይዕድሉ ምንባሮም እናኣስተንተነ ነዞም ከምዚ ዝነበሩ ኣብ ሰማይ ክንደይ ሠናይን ዓብይን ተስፋ ከም ዝጽበዮም ይሓስብ ነበረ። በዚ ከምዚ ናብ ቤተ ክርስቲያን ኣተወ። ሸዑ ኣጋጣሚ ከኣ ኣብቲ ቤተ ክርስቲያን “ፍጹም ክትከውን እንተ ደሊኻ ዘሎካ ኩሉ ሼጥካ ንድኻታት ዓድሎ እሞ ተኸተለኒ ኣብ ሰማይ ከኣ መዝገብ ከተጥሪ ኢኻ ማቴ 19፥21 ዝብል ተነበ። እምብኣርከስ እዚ ንባብ'ዚ ንዓይ እዩ ዝምልከት ብምባል ገለ ቁሩብ ንሓብቱ ሂቡ ዘሎ ንብረት ወለዱ ንድኻታት ዓደሎ። እንተኾነ ንጽባሒቱ ናብ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ዝኸደሉ ውን ንጽባሕ ኢልኩም ኣይትጨነቕ” ዝብል (ማቴ ፮፥፴፬/ 6፥34) ብምስማዕ ነቲ ንሓብቱ ኢሉ ዘትረፎ እውን ንድኻታት ዓደሎ።
ሸዑ ንሓብቱ ንእሙናት ደናግል ንድንግልና ክምህራኣ ኣማሕፀነን።

ኣብቲ ከባቢ ሓደ ሽማግለ ሰብኣይ ካብ ንእስነቱ ኣትሒዙ ሕይወት ብሕትውና ዘዘውትር ነበረ። ኣቡነ እንጦንዮስ ነዚ ብምርኣይ ብታህዋኽ ክመስሎ ጀመረ። እናኸደ እውን ኣምላኻዊ ነገር ይሓቶ ነበረ።

“ዘይሰርሕ ኣይብላዕ” (ተሰ ፫፥፲/ 3፥10) ዝብል መሠረት ብምግባር ከኣ ኃላልኦት ጸገም/ሰከም ምእንቲ ከይኸውን ባዕሉ እናኸዓተ ዘፍርየላ ንእሽቶይ ግራት ብምሓዝ ገሊኡ ንመግቢ ዕለቱ፣ ገሊኡ ከኣ ንድኻታት ይህቦ ነበረ። ብውልቂ ብዘይ ምቁራጽ ክንጽሊ ከምዝግብኣና (ሉቃ ፲፰፥፩/ 18፥1) ስለዝሰምዐ ከኣ ብቐጻሊ ይጽሊ ነበረ።

ንዝንበቡ ንባባት ጽን ኢሉ ይሰምዕ ስለ ዝነበረ ከኣ ካብ ጽሑፍ ገለ እኳ ኣየምልጦን ነበረ። ኃኹሉ ከኣ ቀጥ ኣቢሉ ይሕዞ ነበረ። ከምኡ እውን ኣብ ግብሪ የውዕሎ ስለዝነበረ ኩሉ ኣብ ርእሲ ኣእምሮኡ ልክዕ ከም መጽሓፍ የገልግሎ ነበረ። ናብ ብዙሓት ዓበይቲ ሰባት ብምኻድ እውን ዝተፈላለዩ መንፈሳውያን ፍሉይ መንፈሳዊ ግብሪ ጽድቂ ተማህረ። ካብ ገለ ልግሲ፣ ካብ ገለ ብዘይ ምቁራጽ ጸሎት፣ ካብ ገለ ትሕትና፣ ካብ ገለ ፍቕሪ ንባብ፣ ካብ ገለ ጽንዓት፣ ካብ ካልኦት ብጸሞም ኣብ ጥራይ መሬት ምድቃስ፣ ካብ ገለ ልዙብነት፣ ካብ ካልእ ትዕግሥቲ፣ በዚ ከምዚ ዝኣክል መንፈሳውነት ምስ ኣዋህለለ ናብቲ ቦታ ታዕሊሙ (ተሞኮሮኡ) ተመለሰ እሞ ነቲ ዝቐሰሞ እናኣስተንተነ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ተገደሰ። “ነዚ ጽቡቕ ተግባራቱ ዝረኣዩ ከባቢታቱ ከኣ” ናይ እግዚኣብሔር ሰብ ኢሎም ይጽውዕዎን ይፈትውዎን ነበረ።

## ዘጋጠሞ ፈተናታት

እቲ ናይ ጥንቲ ጸላኢና ዝኾነ ሰይጣን ኣዝዩ ቀንኣሉ እሞ ነቲ ገዲፍዎ ዝመጸ ንብረትን ጥሪትን ሃፍትን ቤተሰብን፣ ፍቕሪ ገንዘብ፣ መዓርግ፣ ኣብ መግቢ ዝርከብ በብዓይነቱ ጣዕ ምታት፣ ናይ ምዝንጋዕ ናብራን እናኣዘኻኸረ መንፈሳውነቱ ገዲፉ ንድሕሪት ኃኽምለስ ፈተኖ። ከምኡ እውን ብርቱዕ መንፈሳዊ ጉዕዞን ንዕኡ ንምፍጻም ዝሓትት ብርቱዕ ጻዕርን ብምዝኽኻርን ኣካላትና ድኹም ከም ምኳኑን እቲ ናይ ቃልሲ ግዜ እውን ኣዝዩ ነዊሕ ምኳኑን ኣዘኻኸሮ። በዚ ከምዚ ከሰናኽሎ ብዙሕ ጸዓረ። እንተኾነ ሰይጣን ኣብ ቅድሚ ውሳኔ ኣቡነ እንጦንዮስ ኃይሊ ከም ዘይብሉ ምስ ኣስተውዓለ ብዝተፈላለዩ ካልኦት መንገድታት ከም ጓለንስተይቲ፣ ከም ሕልሚ እኳ እንተፈተነ ፈጺሙ ክኾነሉ ኣይከኣለን (1ይ ቆሮ 15፥10, መዝ 118፥7) ይኹን እምበር ኣቡነ እንጦንዮስ ንሰይጣን ሓንሳብ ኣሸኒፉዮ እየ ብምባል ጾምን ጸሎትን ተጋድሎኡን ኣየቋረጸን። ሰይጣን እውን “ተሸኒፈ” ኢሉ ተንኰሉ ኣየቋረጸን እኳ ድኣ ኣንጻር ኣቡነ እንጦንዮስ ገለ ዕድል እንተ ኣጋጠሞ ከም ዝጓዝም ኣንበሳ ኣብ ከባቢኡ (ዙርያ) ሸንኮለል ይብል ነበረ። ኣቡነ እንጦንዮስ ናይ ሰይጣን ተንኰል ብዙሕ ምኻኑ ካብ (ሉቃ ፲፥፱/ 10፥9) ስለ ዝተርድኦ ዝያዳ ኣትሪሩ ሥርሑ ቀጸለ። ዝበርትዐ ቃልሲ ከኣ ክለማመድ - መረ። መግቢ ኣመጋግባኡ በቢ 2 - 3 - 4 መዓልታት ነበረ። እንተበልዐ እውን ጨው ኣብ ማይ ብምሕቃቕ ቅጫ ኣሊኹ ምብላዕ፣ መስቲኡ ከኣ ማይ ጥራይ ነበረ። ከም ብርሃነ ዓለም ሐዋርያ ጳውሎስ “ምስ ደኸምኩ እየ ዝብርትዕ” (2ይ ቆሮ ፲፪፥፲/ 12፥10) ዝብሎ “ጣዕሚ ሥጋ ምስ ደኸመ እዩ ሓይሊ ነፍሲ ዝብርትዕ ብምባል ኣዝዩ ተጋደለ። ከምኡ እውን ነቲ ዝሓለፈ ግዜ ኣይዝክርን ነበረ። (ፊል ፫፥፲፫/ 3፥13) ማለት ኩሉ ግዜ ከም ጀማሪ እምበር ከም ፈጻሚ ንነፍሱ ኣይሓስባን ነበረ። ኣቡነ እንጦንዮስ ርእሱ ምስ መሸኸ ካብቲ ዓዲ ርሒቑ ኣብ ዝርከብ መካነ መቓብር ገማግም ኒል ክነብር - መረ። ሽዑ ሰይጣን ኣባ እንጦንዮስ ንምድረ በዳ ብእልፊ መነኮሳት ምእንቲ ከይመልኦ ስለ ዘስግኦ ሓደ ለይቲ ብጭፍራ ኣጋንንቲ ተሰንዩ ኣብ ምድሪ ኣውዲቑ ብቓንዛ ምዝራብ ክሳብ ዝስእን ገረፎ። እቲ ቃንዛ ኣዝዩ ብርቱዕ ስለዝነበረ ሽዑ ንጽባሒቱ እቲ ሓደ ፈታዊኡ መግቢ ዘምጽኣሉ ዓርኩ ብምልክት ኃኻልኦት ከየተንሥኣ ኣልዒሉ ናብቲ መካነ መቓብር ቦታኡ ከም ብሓድሽ ክወስዶም ለመንዎ። ስለዚ ብዓርኩ ተጸይሩ ናብታ ናይ ቀደም ቦታኡ ተመልሰ። ብሰንኪ እቲ ዝወረዶ መግረፍቲ ጠጠው ክብል ስለዘይከኣለ ከኣ ጸሎት ብድቁስ ጸለየ።

ድሕሪ ጸሎቱ ኣነ እንጦንዮስ ኣብዚ ኣሎኹ ካብ መግረፍትኻ ኣይሃድምን እየ። ሽሕ እኳ ገና ክትውሰኽኒ እንተኾንካ “ካብ ፍቕሪ ክርስቶስ ክፈልየኒ ዝኽእል ከቶ የልቦን” (ሮሜ 8÷35 ካብ መዝ 27÷3) እውን ይዝምር ነበረ። ሽዑ እቲ ሰይጣን እዚ መነኮስ'ዚ ሕጂ ከኣ ክሓስብን ክዛረብን ጀመረ። እንተኾነ እቲ ጸላኢ ኩሉ ሠናይ ዝኾነ ሰይጣን ብድሕሪ እቲ መግረፍቲ አቡነ እንጦንዮስ ብሓቦ ተመሊሱ ምጅማሩ ኣገረሞ። ሽዑ ብብርቱዕ ሕርቃን ሠራዊቱ ኣኪቡ “ነዚ ሰብኣይ እዚ ብመንፈስ ዝሙት ኮነ፡ ብመግረፍቲ ጠጠው ከነብሎ ከምዘይከኣለና ኣስተውዒልኩም ዶ፡ ስሚሩና! ሕጂ ንዑ ብኻልእ ኣጋባብ ነጥቅዓዮ÷ በሎም፡ ከመይ ንሰይጣን ሕማቕ መደብ ንምውጻእ ቀሊል እዩ።

ቀጺሉ ኣብቲ ብርቱዕ ምንዋጽ ዝገበረሉ ለይቲ እቲ ቦታ ብሙሉእ ልክዕ ከም ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኮነ። ከምኡ ከኣ ነርባዕተ መናድቕ እቲ ህንጻ ዘፍረሱዎ ኪመስሉ እቶም ኣጋንንቲ ኣራዊት ተመሲሎም ገለ እናጐተቱ ንውሽጢ ዝኣተዉ መሰሉ። እቲ ቦታ ብቕጽበት ብኣናብስ፡ ኣናብር፡ ሓሪሽ፡ ኣትማን፡ ኣፍዑት፡ ዕንቅርቢት፡ ተኺሉ፡ ዝመልኣ መሰለ። ነፍስ ወከፍ እንስሳ ከኣ ከከም ባህሩ ዝመልኣ መሰለ። ነፍስ ወከፍ እንስሳ ከከም ባህሪኡ ተንቀሳቐሰ ኣንበሳ ክንዝም እናተሰናደወ - መረ። ሓሪሽ በቕርንቱ ዘፈራርህ ዘሎ መሰለ፡ ተመን ለመምኳ እንተ በለ ንኣቡነ እንጦንዮስ ከርክቦ ግን ኣይከኣለን ተኹላ ናዕቢ ኪገብር ፍኒሕኒሕ በለ። እቲ ሕርቃኖም ከኣ ብጭካነ ዝተመልኦ ነበረ።

ኣቡነ እንጦንዮስ ዝተሃረመን በዞም ኣጋንንቲ ዝኽብከብን ዘሎ ኮይኑ እናመሰሎ ብርቱዕ ቃንዛ ሰውነት ተሰምየ። እንተኾነ ፍርሒ ዝበሃል ከይሓድሮ ብመንፈስ ዝያዳ ነቐሐ። ብሰንኪ ቃንዛ ሰውነቱ'ኳ እንተ ኣእወየ ሓሳቡ ግን ህዱእ ነበረ። እናተዋዘየ ከኣ “ኃይሊ እንተሎኩም ካብኻትኩም ሓደ ጥራይ ክመ ጽእ ምተገብኦ፡ እንተኾነ ጐይታ ንብርታዔኹም ኣልይዎ እዩ፡ ካብዚ ዝተላዕለ ከኣ እዩ እንተተካእለኩምሲ ብብዝሕኹም ከተፈራርሁኒ ትፍትኑ ዘሎኹም። እዚ መልክዕ ኣራዊት ምልባስኩም ሓጋዚ ዝባሃል ከም ዘይብልኩም ምልክት እዩ” ቀጺሉ ከኣ ብሓጐስ ከምዚ በለ “ክእለት እንተሎኩም ኣብ ልዕለይ ከኣ ሥልጣን እንተ ተቐቢልኩም እንታይ ትጽበዩ ኣሎኹም፡ እቲ ዝግበር ግበሩ። ዘይትኽእሉ እንተ ኮይንኩም ግና ስለምንታይ ብኽንቱ ገዛእ ርእሶኹም ተሕርቑ፡ ኣብ ጐይታ ዘሎና እምነት ንዓና ልክዕ ከም ማሕተም ውሕስነት ዘለዎ መንደቕ እዩ።”

ስለዚ ብዙሕ ፈተና ድሕሪ ምፍጻም ንኣቡነ እንጦንዮስ ዘይኮነስ ንገዛእ ርእሶም ስለ ዘተዓሻሸዉ ኣስናኖም ሐርቀምቀም ኣበሉሉ ኣብዚ እዋን'ዚ ከኣ ጐይታ ንቕልሲ ኣባ እንጦንዮስ ኣይረሰያን ክከላኸለሉ እውን መጸ። ንላዕሊ ገጹ ቁሊሕ እንተበለ እቲ ናሕሲ ተኽፊቱ ረኣዮ እሞ ናይ ብርሃን ጨራ ናብኡ ገጹ ክወርድ ረኣየ እቶም ኣጋንንቲ ከኣ ብሃንደበት ጠፍኡ። ናይ ሰውነቱ ቓንዛ ድማ ብቕጽበት ኣቋረጸ። እታ ገዛ ከኣ ህድኣት ሰፈና። ኣቡነ እንጦንዮስ ጐይታ ከም ዝረድኦ ምስ ፈለጠ ካብ ዝነበሮ ቓንዛ ስለ ዝተገላገለ ከስተንፍስ - መረ። ነቲ ዝተገልጸሉ ራእይ ከኣ “ኣበይ ድኣ ኔርካ ስቓየይ ከተዝሕለለይ ካብ መጀመርያ ዘይተገለጽካለይ ስለምንታይ ኢኻ” ብምባል ሓተቶ ጐይታ “ኣነ ኣብኡ ነይረ ግን ከኣ ጽንዓትካ እናተዓዘብኩ እጽበየካ ነይረ። ብጅግንነት ስለ ዝተቓለስካን ኢድካ'ውን ስለ ዘይሃብካን ኣነ ወትሩ ሓጋዚኻ እየ። ኣብ ኩሉ ዓለም ከኣ ከም እትፍለጥ ክገብረካ እየ።” ዝብል ድምጺ ካብቲ ራእይ ተሰምዐ። ኣቡነ እንጦንዮስ ነዚ ምስ ሰምዐ ብድድ በለ፡ ካብ ናይ ቅድሙ ንላዕሊ ከኣ መንፈሳዊ ኃይሊ ተሰምየ። ኣብዚ እዋን'ዚ ወዲ ፴፭ (35) ዓመት ኣቢሉ ነበረ።

## ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ብትዕቢት ከምዝተፈተነ

“ወፈነዎ ለቅዱስ እንጦንዮስ ኀበ ኣስካፍ
ንኣቡነ እንጦንዮስ ናብ ኣስካፍ፡
ኣበው እንጦንዮስ ብትዕቢት ምኽንያት መዓርጉ ምስ ነብያት ድዩ ወይስ ምስ ሓዋርያት ግለጸለይ ኢሉ ለመነ። ሽዕኡ ኣምላኽ ንኣቡነ እንጦንዮስ ናብ ኣስካፍ ኪድ በሎ። እዚ ኣስካፍ ዝበሃል ዘሎ ናይ ንጉሥ ፈታዊ ትሕቲ ንጉሥ እዩ ዝነበረ። ብውሽጢ ክዳኑ ዝባላዕ ጨንር ማቕ ተዓጢቑ ኣብ ናይ ብሕትውና ቦታ ይነብር ነበረ።

ኣቡነ እንጦንዮስ ናብ ኣስካፍ ከይዱ ኣስካፍ ከኣ ካብቲ እንዳ ንጉሥ ቤት፡ ክወጽእ ረሽቦ። እቶም ሠራዊት ተደፋፊኦ ኣፍ ደገ ክወጽኡ ንኣስካፍ ነቲ ተኸዲንዎ ዘሎ ዝባላዕ ማኞ ምስ ተንከፍዎ፡ ኣስካፍ እቲ ዝባላዕ ብውሽጡ ዘሎ ማኞ ሰውነቱ ቆሪጽዎ ወደቐ። ወተሃደራቱ ኣልዒሎም ናብ ገዝኡ ወሰድዎ።

ኣቡነ እንጦንዮስ ደድሕሪኦም ስዒቡ ምስ ኣስካፍ ኣራኽቡኒ በለ እሞ ኣራኸብዎ። ኣቡነ እንጦንዮስ ንኣስካፍ ናብራ ሕይወትካ ከመይ እዩ ኢሉ ሓተቶ። ናተይ ሕይወት እንታይ ክሕተት ልክዕ ከምዛ ትርእየኒ ናይ ቤተ መንግሥቲ ሰብ እየ ዋላ ሓንቲ የብለይን በሎ።

ኣቡነ እንጦንዮስ ተኣዚዘ እየ መጺአ ጽቡቐ ጌርካ ግለጸለይ በሎ። እምበኣርከስ ናይ ዓለም ፍቕድ ኣባይ የሎን። ናተይ ድሌት ነዚ ዓለም'ዚ ጠንጢንካ ምኻድ እዩ ነይሩ። ከምኡ ውን ዓይነት ክዳነይን ናብራይን ከምዚ እየ ብምባል ነቲ ሕቐኡ ዝቐራርጾን ዝወጋግኦን እሾኽ ዝኾነ ማቐ ከፊቱ ኩሉ እቲ ኣቐሳሉ ኣርኣዮ።

ኣቡነ እንጦንዮስ እዚ'ኳ ዓለማዊ ተባሂሉ ከምዚ ገይሩ ዝተጋደለ፡ ኣነ ድኣ ኣብ ቅድሚኡ እንታይ ዓስቢ ኣሎኒ፡ እንታይ ስራሕ ከ ሰሪሐ ክብል እየ፡ ኢሉ ትሕትና ተማሂሩ ከደ።



## ኣቡነ እንጦንዮስ ካብ ዝገበሮ ተኣምራት ብኽፊል

ኣብ ሞንጎ ፈለግ ኒልን ቀይሕ ባሕርን ንፀ(20) ዓመት ዝኣክል ሰብ ከይፈለጦን ከይተንቀሳቐሰን ካልኦት ሰባት ከይመጽዎን ኣብ ዝወሰነሉ እዋን ሚርቲንያኑስ ዝተባህለ ሓለቓ ወተሃደራት ንጓሉ ጋኔን ስለዝሓዛ መጺኡ ሃወኸ። ነዊሕ ምስ ተጸበየ ማዕጾ እናኸሕኮሐ ኣቡነ እንጦንዮስ መጺኡ ንጓሉ ክጽልየላ ለመኖ። ንሱ ግን ፈጺሙ ኣይከፈቶን "ኣንታ ሰብኣይ ስለምንታይ ኢኻ ናባይ እተእዊ ኣነ ልክዕ ከማኻ ሰብ እየ። ንሸኻ ነቲ ሓደ ኣምላኽ ኣሚንካ ዝጸለኻዮ ክኾነልካ እዩ በሎ። ጓሉ ከኣ ሓወየትሉ ኣቡነ እንጦንዮስ ማዕጹኡ እኳ ኣይኽፈት እምበር ብዙሓት ብሕማም ዝሳቐዩ ብእምነት ኣብ ኣፍ ደገ እቲ ገዳም ይድቅሱ እሞ ይሓውዩ ነበሩ።

ሓደ መዓልቲ ሰብ ኣብቲ ማዕጾ ጠጠው ኢሉ ነቲ ዘንቢል ዝሰርሐሉ ፍሕሶ ስሓቦ፡ እቲ ዘንቢል ዝሰርሖ ዝነበረ ነቶም ገለ ነገር ዘምጽኡሉ ዝነበረ በጻሕቲ መለወጢ ይኾኖ ነበረ። ሓፍ ምስ በለ ሓደ መሓውሩ ናይ ሰብ ዝመስል፡ ኣእጋሩን ሽኮናኡን ግን ናይ ኣድጊ መሰል እንስሳ ረኣየ ሽዑ ብትእምርተ መስቀል ኣማዕተበሉ እሞ እቲ ገዚፍ ኣራዊት ምስቶም ተሰኪምዎም ዝመጸ ኣጋንንቲ ክሃድም ከሎ ካብ ፍጥነቱ ዝተላዕለ ወዲቑ ሞተ።

ብጸሎት ኣቡነ እንጦንዮስ ሓደ መዓልቲ ካብ ፓላዮም ዝተባህለ ቦታ ዝመጸ "ፍሮንቶን" ዝስሙ ሰብ ብርቱዕ ዝሕማሙ ሓወየ፡ ንሱ መልሓሱ ዝሕይኽን ኣዒንቱ ከኣ ኣብ ጸገም ዘእቱን ነበረ። ኣቡነ እንጦንዮስ ኪድ እሞ ክትሓዊ ኢኻ እንተበሎ ንሱ ግን ኣብኡ ቀንዩ ኣይሓወየን እሞ ኣይሓወኹን በሎ። ኣብዚ ክሳብ ዘሎኻ ኣይትሓውን ኢኻ በሎ። እዚ ሰብኣይ'ዚ ኣሚኑ እንተኾደ ሓወየ።

ሓንቲ ካብ "ቡሲሪስ" (ሊብያ) ዝመጸት ጓል ኣዒንታን ኣእዛናን ዛዕዛዕ ዝብል ኣብ ምድሪ ምስ ወደቐ ከኣ ናብ ሓሳኹ ዝቐየር ዘሰንብድ ዘጨንቐን ሕማም ዝሓዛ እውን ብጸሎቱ ሓወየት። ኣቡነ እንጦንዮስ ዝፈወሶም ሕሙማት ክቑጸሩ ዘይኽእሉ ኣዝዮም ብዙሓት እዮም።

## ኣቡነ እንጦንዮስ ዝረኣዮ ራእይ

ሓደ ግዜ ኣቡነ እንጦንዮስ ተንሥእ እሞ ደገ ወጺእካ ተዓ ዘብ" ዝብል ድምጺ ምስ ሰምዐ ወጺኡ'ውን እንተረኣየ ሓደ ውሱን ቅርጺ ዘይብሉን ዘፍርህን ክሳብ ደመና ዝትንክፍን ዓ ቢ ምስሊ ረኣየ፡ ሕዝቢ ከኣ መንፈርፈር ዘጥረየ ክመስል ንሰማይ ገጹ ይድይብ ነበረ። እቲ ምስሊ ንገሊኣቶም ጠጠው ከብሎም ከሎ፡ ካልኦት ግን ብጥቓኡ እናሓለፉ ከለዉ ብዘይ ጸገም ተንሺኦም ንላዕሊ ነፈሩ። ኣብዚ እዋን 'ዚ ኣስናኑ ሐርቀምቀም ኣበለ። በቶም ዝወደቑ ግን ኣዝዩ ተሓጐሰ። ሽዑ ድምጺ ንኣቡነ እንጦንዮስ "ነዚ ራዕይ ተረድኣዮ" ከኣ በሎ። ኣእምሮኡ ስለ ዝተኸፍተ እዚ ራዕይ ናይ ነፍሳት ጉዕ

ዞ ምኻኑ ተረድኦ። እቲ ዝረኣዮ ዓቢ ምስሊ ከኣ እቲ እኩይ ናይ ጥንቲ ጸላኢ ዲያብሎስ ነበረ። ነቶም ኣብ ግዝኣቱ ዝነበሩ ሓዘም፡ ምሕላፍውን ከልኦም፡ ነቶም ዘይናቱ ዝኾኑ ክሕዞም ስለ ዘይከኣለ ጥሒሶሞ ከዱ።

## ዜና ዕረፍቲ ኣቡነ እንጦንዮስ

ኣቦ መነኮሳት ኣቡነ እንጦንዮስ እቲ ንመነኮሳት ክፍጽምዎ ዝግባእ ሓደ ብሓደ ክላበዎም ኣከቦም። ከምዚ ዝስዕብ ቃል ምዕዳን ውን መዓደምን ተላበዎምን “ኣብ ዕዮታትኩም ኣይትሰልክዩ፡ ኣብ ጽኑዕ ናብራኹም ተስፋ ኣይትቑረጹ፡ መዓልቲ መጸ ከም ዝሞተ ኼንኩም ተኻየዱ፡ ንልብኹም ካብ ክፉእ ሓሳባት ክትሕልውዎ ወትሩ ንቁሓት ኩኑ፡ ንመናፍቓን ኣብ ጥቓኦም ኣይትቕረቡ፡ ትውፊት ኣበው ሓልዉ። ፍቕሪ እምነት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ይሃልኹም።

ዜና ዕረፍቱ ንደቂ ኣቓድም ኣቢሉ እቲ ደቂ ሰባት ንሬሳ ምስ ሞተ ዋላ ቅዱስ ይኹን ከይቀበርካ ኣብ ገዛኻ ምቕማጥ ግቡእ ኣይኮነን ኢሉ ይምህሮም ከም ዝነበረ። ሕጂ እንተኾነ ኣነ ምስ ሞትኩ ንብዙሓት ሰባት ኣይትንገሩ ምክንያቱ ንሬሳይ ከምኡ ከይገብርዎ። ንሬሳይ ከምቲ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ድኣ ኣብ መሬት ቅበርዎ ክዳውንተይ ተመቓቕልዎ።

እታ በትሩ ከኣ ንኣባ መቃርስ ወዱ ሃቦ። እታ ሓንቲ ኣጕዛ ንኣቡነ ኣትናቴዎስ ሃቦ። ሊቀ ጳጳሳት ምስ ኮነ ኣቡነ ኣትናቴዎስ ኣብ ዓበይቲ በዓላት ብእኣ ጌሩ ይቕድስ ነበረ። እታ ብዘብድወ ጠሊ (ቆርበት በጊዕ) ዝተሰርሐት ክዳኑ ከኣ ንኣቡነ ሰራብዮን ሃቦ ኢሉ ለበዋኡ ወድኣ።

ዕድሚኡ ምሉእ ማይ ዝብሃል ኣይተሓጽበን ካብ ሰብነቱ ከኣ ዋላ ሓንቲ ብእርጋን ምክንያት ኣይጐደሎን ሓየለ'ውን ኣይደኸመን *“ወእምዝ መጽኦ ዝቤሁ ኣባ ቡላ (ኣቢብ) ርእሰ ገዳማውያን ወገዘ በአልባሰ ኣትናቴዎስ ሐዋርያዊ”* ሽዑ ርእሲ ገዳማውያን ኣባ ቡላ መጺኡ ብናይ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ነጸላ ጌሩ ገነዞ” ይብል መጽሐፈ ስንክሳር ዕለት ፳፪ (22) ጥሪ ኩሉ ዕድመ ናይ ኣቡነ እንጦንዮስ ፩፻፳(120) ዓመት እዩ። ካብ ጐይታ ምሉእ ቃል ኪዳን ተቐቢሉ ናብ ዘልዓለማዊ ዕረፍቲ ከደ።

***ጸሎትን በረከትን ናይ ኣቦና ኣቡነ እንጦንዮስ ምስ ኵላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን። ኣሜን።***

- ሰላም ለብሕታዊከ እንበለ ሕፀፅ ወንትጋ።
- ውስተ ናሕስ ከመ ያፍ ወበቤት ኣምሳለ ጉጋ።
- ብእሴ ሰማይ እንጦንዮስ ወመልኣከ ምድር በጸጋ።
- ለቤተ ብለኔ እንዘ ያስተራኵስ ሕጋ።
- መዋዕለ ሕይወቱ በማይ ኢተሐፅበ ሥጋ።

***ምንጪ፡- ሰንክሳር ዕለት ፳፪ ጥር***

✞ ✞ ✞

## ታሪኽ ኣባ ጳውሊ ርእሰ ባሕታውያን

ኣባ ጳውሊ (ጳውሎስ) ብዕለት ፲፮ (16) ጥቅምት ተወሊዱ። ጳውሊ ማለት ሕሩይ ወይ ምሩጽ ማለት እዩ። ሃገሩ ግብጻዊ ኮይኑ ዓዱ ከኣ ምንጻር ትብሃል። ወለዱ ሃብታማት ከይኖም ኣቡኡ ክመውት እንከሎ ኑቲ ጴጥሮስ ዝተባህለ ዓቢ ሓዉ ተላብይዎ ሞተ። ማለት “ንእሽቶ ሓውኻ ኣካለ መጠን ክበጽሕ ከሎ ብጽሒቱ ሃቦ ኢልዎ ዓረፈ።

ጳውሊ ኣካለ መጠን ምስ በጽሐ ኑቲ ዓቢ ሓዉ ኣቦይ ሃቦ ዝበለካ ብጽሒተይ ሃበኒ እንተበሎ፡ ኣይህበካን እየ በሎ። ምክንያቱ ከተባላሽዎ ኢኻ። ጳውሊ ጥራይ ብጽሒተይ ሃበኒ ኣየባላሽዎን እየ። ዓቢ ሓዉ በል ግድን ካብ በልካስ ዝጸበቕን ዝበለጸን ንዕኡ ኣትሪፉ ካብቲ ሐሕማቕ ገለ ቁሩብ ንብረት ኣቡኡ ሃቦ። ጳውሊ በዚ ጕህዩ ናብ ቤት ፍርዲ ፍትሒ ክረክብ እየ ኢሉ ተበገሰ፡ ኣብ መንገዲ እናኸደ እንከሎ። ሓደ ከም ኣቡኡ ዝበለ ሃብታም ሰብኣይ ሞይቱ ገሊኡም ክሸኽዩ፡ ገሊኡም፡ ከልቅሱ፡ ገሊኡም ክፈትሑ ኣብ መንገዲ ኣጋጠሞ። እዚ እንታይ ዝኾነ ኣኼባ እዩ ኢሉ እንተሐተተ። “ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ነይሩስ ሞይቱ ሕጂ ይብከዮ ርዓተ ቐብሪ ይፍጸመሉ ኣሎ” በልዎ።

ካብዚአቶም እስከ ንሓደ ዓቢ ሰብኣይ ኣማኽረኒ ክብሎ እየ ኢሉ ሓሲቡ ንሓደ ዓቢ እዩ ዝበሎ፣ እቲ ኩሉ ምስ ሓዉ ዘጋጠሞ ነገሩ ኣማኽረኒ እንተበሎ፣ እግዚኣብሔር ኣዛሪብዎ እቲ ዓቢ ሰብኣይ ኣቦኻ በዓል ጸጋ፣ ልክዕ ከምዚ ዝረኣኻዮ እዩ ነይሩ ነቲ ኩሉ ሃብቱን ንብረቱን ገዲፍዎ ከኣ ሞተ። ንሽኻ እውን ካብ ሓውኻ ገንዘብካ እንተወሰድካ ጽባሕ ንግሆ ምሚትካ ስለ ዘይተርፈካ እንተገደፍካዮ ይሕሸካ ኢሉ ኣማኸሮ። ኣባ ጳውሊ እወ ሓቅኻ ኢኻ ኢሉ ሓዲግዎ ተመልሰ።

ናብቲ ዓቢ ሓዉ ተመሊሱ እቲ ናይ ኣቦይ ንብረት ኩሉ ገዲፈልካ ኣሎኹ በሎ። ሓንቲ ግን እታ ናይ ኣቦይ ዝነበረት ወንጌለ ዮሓንስ ሃበኒ ኢሉ ንዓኣ ጥራይ ሒዙ ከደ። ኣብ ሓደ ቤት መቓብር ከይዱ ከኣ ደቀሰ (ሐደረ)። ጐይታ ንመጽደቂኡ ንኽፍትኖ ንሠለስተ መዓልቲ መግቢ ከልኦ። ንሱ በታ ወንጌለ ዮሓንስ ኣብ ልዕሊ ማይ እናደገመ ማይ ክሰቲ ቐነየ። ኣብ መበል ሣልሰይቲ መዓልቲ ካብ ሰማይ መንፈቀ (ፍርቂ) ጎብስት ወረደትሉ። ድሕሪ ሠለስተ መዓ ልቲ ዝተኣዘዘ መልኣኽ መጺኡ ናይ ሰሌን (ተንኮበት፣ ሻኻ) ቆቢዕ ሰፍዩ፣ ሰብ ኣብ ዘይብሉ ቦታ ወሲዱ ኣቐመጦ። ድሕሪኡ መግቡ ምሸተ ምሸተ ሓደ ንስር ፍርቂ እንጀራ እናምጽኣሉ ነዚኣ እናተመገበ ን80 (ፘ) ዓመታት ዝኣክል ብትሕርምቲ ይነብር ነበረ።

## ዕረፍቲ ኣባ ጳውሊ

ግዜ ሞቱ ምስ ኣኸለ ጐይታ ግብሪ ጽድቁ ክገልጽ ንኣባ እንጦንዮስ ካብዚ ዘለኻዮ ናይ (2)ፀ ሰዓት ዝኸውን መገዲ ኬድካ ፈታውየይ ዝኾነ ጳውሊ ክትረክብ ኢኻ ኢሉ ለኣኸሉ፣ እንተኸደ በዓቱ ዓጽዩ ክጽሊ ጸንሐ። ኣቦይ ሃገርካ ኣበይ እዩ፡ ስምካ ኸ መን ይበሃል፡ በሎ። ኣባ ጳውሊ እግዚኣብሔር እንተልኢኹካ ስለምንታይ ስመይ ዘይትፈልጠኒ በሎ። ኣባ እንጦንዮስ ጸልዩ ተገልጸሉ፣ ክጻወቱ ጸኒሖም፣ ሠርክ (ምሸት) ምስ ኮነ እቲ ንስሪ (ኳኽ) ምሉእ እንጀራ ሒዙሎም መጽአ። ሕጂ ካብ ኣምላኽ ተላኢክካ ከምዝመጻእካ ብግልጺ ተረዲኡ፣ ማለት ቅድሚ ሕጂ ኣምላኽ ዝህበኒ ዝነበረ ጎብስቲ ፍርቂ ነበረ። ሎሚ ግን እንኮላይ ናትካ ጌሩ ምሉእ ጎብስቲ ልኢኹለይ በሎ። ክልቲኡም በዚ ዝተገብረሎም ኣምላኻዊ ነገር ብኣድናቆት ተንሢኦም ኣመስጊኖም ተመገቡ። ምሉእ ለይቲ ክጽልዩ ሓዲሮም ምስ ወግሐ ኣቦ በል ኣፋንወኒ ክኸይድ በሎ። ኣባ ጳውሊ ተገሊጹሉ፣ መሊስካ ደኣ ክትመጽእ ኢኻ እምበር ኪድ በሎ።

## ኣባ ጳውሊ ዝረኣዮ ራእይ

ንዕለቱ እግዚኣብሔር ገሊጹሉ ናይ መነኮሳት ክብርን ሓሳርን ነገሮ። ማለት ንመነኮሳት ምስ ዘመን ኣብ ሠለስተ ዓይነት መቒሉ ገሊጹሉ ንሱ ከኣ፡-

1. እቶም ኣብቲ ግዜ እቲ ዝነበሩ መነኮሳት ብናይ ፃዕዳ ርግቢ ኣምሳል ማለት እዚኣቶም ፍጹማን መነንቲ፣ ብሥጋ ዝሞቱ ብነፍስ ግን ህያዋን ዝኾኑ እዮም።
2. እቶም ካብኡም ቀጺሎም ዝርከቡ መነኮሳት ከኣ ብዝንጉርጉር ማለት እዚኣቶም ከኣ ጻዕዳን ጸሊምን ዝተፈራረቐም፣ ሓደ ግዜ ናብ ምንኩስና፣ ሓደ ግዜ ናብ ዓለም ዝብሉ እዮም።
3. እቶም ኣብ መፈጸምታ ዓለም ሳልሳይ ደረጃ ዘለዉ ከኣ ብኣምሳል ጸሊም ርግቢ (ኳኽ) ማለት ፍጹም ዓለማውያን ዝኾኑ እዚኣቶም ዳሕረዎት መነኮሳት ጸሊም ርግቢ ማለት ብሥጋ ህያዋን ዝኾኑ ብነፍሲ ግና ዝሞቱ ክፍጠሩ እዮም ኢሉ ትንቢት ተናገረ። እዚ ከኣ ብመንጽር ናይ ቀደምን ናይ ሎምን ምንኮስና ክርኢ እንከሎ እቲ ትንቢት ዝፍጸም ዘሎ ይመስል።
(1ይሳሙ. 2፥9 መዝ. 36፥17/25 ተረ፣ ዳን ቁ 37)

ኣቡነ እንጦንዮስ ክኸይድ ክብገስ እንከሎ፣ ኣብ በዓትኻ ምስ ከድካ እታ ኣባ ኣትናቴዎስ ካብ ንጉሥ ቈስጠንጢኖስ ተቐቢሉ ዝሃበካ ግምጃ (ልብሲ) ኣምጺእካ ገኒዝካ ከም እትቐብረኒ በሎ።

አቡነ እንጠንዮስ መግነዚ ሒዙ ክመጽእ እንከሎ፡ መላእኽቲ ነፍሲ ኣባ ጳውሊ ንሰማይ ከዕርጉ ርእዩ፡ እዛ ነፍሲ እዚኣ ናይ ኣቦይ ነፍሲ እያ በለ። ናብቲ በዓቲ እንተኣተወ ከምቲ ብሕይወተ ሥጋ ከሎ ዝነበሮ አእዳዉ ብትምእርተ መስቀል ኣማሳቒሉ ብብርኩ ተንበርኪኹ ረኸቦ። በቲ ዘምጽኦ ግምጃ ገኒዙ፡ መቓብሩ ኣናብስት ኮዒቶሙሉ ቀበሮ። ዝሞተሉ ዕለት ፳፪(22) ሰኔ እዩ ነይሩ። እታ ዓጽፉ ከኣ ንሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ አትናቴዎስ ለኣኸሉ። ካብ (፱ቱ) 9ቱ በዓላት ኣብተን ሠለስተ መዓልቲ ቅዱስ አትናቴዎስ ይኽደና ነበረ። ምዉት እውን ብእኣ ጌሩ ኣተንሚኡ እዩ።

- ሰላም ለጳውሊ ውሣጤ ገዳም ዘተጸምደ፡
- እንዘ ኢይሬኢ እምሰብእ መነኢ አሐደ፡
- ፃመወ ብዙኃ ወተጋደለ ፈድፋደ፡
- ድኅረ ሞተሂ ከመ በሕይወቱ ለመደ፡
- ለእግዚአብሔር አምላኩ በብረኩ ሰገደ፡

ምንጪ፡-

1. ፊልክስዮስ ገጽ 7 መቅድም
2. መዝገበ ታሪኽ ገጽ 167 መጋቢት 1997 ዓ.ም አ.አ.ኢ
3. የቅዱስን ታሪክ ቁ.5 ገጽ 45 የካቲት 1998 ዓም አ.አ.ኢ
4. ስንክሳር የካቲት ዕለት ፪

◆ ◆ ◆

## ታሪኽ ጻድቕ ለዋህ (ኖላዊ) ጳውሊ ዘአውሰበ ብእሲተ ረድእ እንጠንዮስ

የዋህ ጳውሊ ሃዳናይ ኮይኑ ሰበይቲ ተመርዕዩ ብቃል ኪዳን ክነብር ከሎ። እታ ሰበይቲ ኣዝያ ጽብቕትን መልክዐኛን እኳ እንተኾነት ግብራ ግን ኣዝያ ክፍእቲ ነበረት። ሓደ መዓልቲ ካብ ወፍሪ እንተ ኣተወስ ምስ ኣገልጋሊኡ ደቂሳ ዝሙት ክትፍጽም ጸንሓቶ። የዋህ ጳውሊ ከይተሸገረ ነቲ ኣገልጋሊ በል ንዕኣን ንወዳን ነዚ ኩሉ ንብረተይን ገዲፈልካ ኣነ ናብ ጐይታይ ኢየሱስ ክርስቶስ ክኸይድ እየ። በዚ ነገርዚ ከኣ ዋላ ሓንቲ ኣይጉህን እየ ብምባል ኣባ እንጠንዮስ ናብ ዘለዎ በረኻ ከይዱ ኣልባሰ ምንኵስና ካብ ኣባ እንጦኒ ተቐቢሉ ልክዕ ኣሠር ኣባ እንጦኒ ተኸቲሉ ይጋደል ነበረ። ለዋህ ጳውሊ ሕሙማትን ኣጋንንትን ናይ ምውጻእ ጸጋ ስለዝተዋህቦ። ሓደ መዓልቲ ጋኔን ንዝሓዞ ሕሙም ናብ ኣባ እንጠንዮስ ኣምጽኡ እሞ ኣባ እንጠንዮስ ከኣ ውህበት ጸግኡ ስለ ዝፈለጠ ንለዋህ ጳውሊ ወዱ ፈውሶ ኢሉ ኣዘዞ። ለዋህ ጳውሊ ነቲ ጋኔን ኣቦይ እንጠንዮስ ውጻእ ኢሉካ እዩ፡ ምስ በሎ እቲ ሰይጣን ግን ንጳውሊ ይኹን ንኣባ እንጦኒ ተጻረፎም። ለዋህ ጳውሊ እንተዘይወጻእካ ንጐይታ ክርስቶስ ክነግሮ እየ፡ ንሱ ዝገብረካ ከኣ ክትርኢ ኢኻ ኢሉ፡ ኣብ ግዜ ቀትሪ ወጺኡ ኣብ ሓንቲ ብፀሐይ ዝረሰነት እምኒ ደይቡ ሕያው እግዚኣብሔር ክሳብ እዚ ጋኔን እዚ ዝወጽእ ኣነ ካብዛ ናይዛ እምኒ ረመጨት፡ ኣይወርድ፡ ኣይበልዕ፡ ኣይሰቲ ምስ በለ እቲ ጋኔን ብምስሊ ሓደ ዓቢ ተመን ኡይ! እናበለ ወጺኡ ናብ ባሕሪ ኤርትራ ጠሓለ።

ለዋህ ጳውሊ (ጳውሎስ) ናይ ኩሉ ሰብ ኃጢኣት ይርኣዮ ስለዝነበረ ምእንቲ ኃጢኣተኛታት ይጽልን ይበክን ነበረ።

ገድሉ ፈጺሙ ብጽቡቕ ዕቤትን ዕድመን ብሰላም ሰኔ ዕለት ፳፪ (22) ካብዛ ዓለም አዕረፈ።

***ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኵላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።***

- ሰላም ዕብል ለጳውሎስ ሊሉይ፡
- እምነ ዘማ ብእሲቱ ሠናይተ ላህይ፡
- ቀዊሞ ወዓለ እንበለ ናህይ፡
- በመልዕልተ ዕብን እንተ አርሰኖ ፀሐይ፡
- እስከ እምጋኔን የሐዩ ብእሲ ድውይ፡

***ምንጪ፡- ስንክሳር ሰኔ ዕለት ፳፪ (22) (ንገረ ቅዱሳን ፲፱፻፺፰ ዓ.ም.ግ***

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ጻድቕ ኣባ ጳውሊ (ጳውሎስ) ምስ ሰይጣን ዝተዋሥኦ (ዘይተዋሥኦ ለሰይጣን

ጻድቕ ኣባ ጳውሊ ቅዱሳን ቦታታት ንምርኣይ ኣብ ዝተንቀሳቐሰሉ ግዜ ኣብ ሃገረ ሳምር፡ ካልኦ ስማ ሰሎንቅያ ዝኾነ፡ ናይዛ ሃገር እዚኣ ሰባት ካብ ሄሮድስ ወገን ከይኖም፡ ሓደ ሕማቕ ሕጊ ነበሮም። ንሱ ድማ ኣብ ወርሒ ፫ ግዜ

ኣብ ቤተ ብለኔ ተኣኪቦም ሰብኣይን ሰበይትን ኮይኖም፡ እቶም ሃብታማት ሓደ መዓልቲ፡ እቶም ማእከሎት ከኣ ሓደ መዓልቲ እቶም ድኻታትን ኣጋይሽን ሓደ መዓልቲ ናብቲ ቤተ ብለኔ ዝብል መኣከቢኦም መጺኦም ለይቲ መብራህቲ ኣጥፊኦም፡ ማዕጾ ዓጽዮም ኡይ ብምባል ሕማቕ ተግባራቶም ይፍጽሙ ነበሩ።

ኣባ ጳውሊ ሓደ መንእሰይ ዲያቆን ኣኸቲሉ ቅዱሳን ቦታታት ክም ንኢየሩሳሌም እናኸደ እንከሎ ረቡዕ መዓልቲ መሲዎ ናብዚ ቦታ እዚ እንተተኣልየ ከምቲ ክፉእ ልማዶም ክፍጽሙ ረኸቦም። ጻድቕ ኣባ ጳውሊ ነዚ ሕማቕ ልማድ ርእዩ ብጣዕሚ ጐሃየ። ነቲ ሓላዊ ማዕጾ ከኣ *“ ለምንት ትገብሩ ዘንተ ግብረ ሀሙመ”* ስለምንታይ ኣጸያፊ ነገር ትፍጽሙ ” እቲ ሰብኣይ ከምዚ ኢሉ መለሰሉ “ ከምቲ ኣብ ቤትና ምስ ሰበይትና እንራኸቦ ልክዕ ብኸምኡ መልክዕ ከኣ ኣብ ወርሒ ሓደ መዓልቲ ብምእካብ ወለድና ብዘጽንሑልና ርክብና ንፍጽም” በሎ። ማለት ቀዳማይ መዓልቲ ናይቶም ሃብታማት፡ ካልኣይ ናይ ኮሉ፡ ሳልሳይ ናይ ድኻታትን ኣጋይሽን።

ኣብታ ለይቲ እቲኣ እቶም ሰባት ከም ልማዶም ማዕጾ ዓ ጽዮም፡ መብራህቲ ኣጥፊኦም ተተሓሒዞም ደቀሱ።

ኣባ ጳውሊ ከኣ ነዞም ሰብ ክፉእ ልምዲ ከጥፍእ ናብ ኣምላኽ ጸሎት ክገብር ጀመረ። ጸሎቱ ምስ ፈጸመ፡ ሓደ ጸሊም ሰብኣይ ጥራሕ ነፍሱ ኮይኑ ኣብ ኢዱ ሴፍ ሒዙ መጸ። ኣባ ጳውሊ ንሸኻ መን ኢኻ ንመን ከ ትደሊ ኣሎኻ ምስ በሎ *“ ኣነ ውእቱ ሰይጣን ዘፈነወኒ እግዚኣብሔር”* ምስ ለመንካዮ ኀኬጥፍኣልካ እግዚኣብሔር ዝለኣኸኒ ሰይጣን እየ በሎ። ሽዑ ኣብታ ለይቲ እቲኣ ካብ ሰማይ ናብቲ ቤት ብለኔ መኾሰፍቲ ወረደ እሞ ብጀካ ዓሠርተ (10) ሰባት ካልእ ኩሉ ሞይቱ ሓደረ።

ነዞም ዓሠርተ (፲) ሰባት ኣባ ጳውሊ ስለምንታይ ከምዚ ትገብሩ ኢሉ እንተ ሓተቶም “ቀደም ወለድና ኣብ ወርሒ ሓደ መዓልቲ ኣብዚ ቤተ ብለኔ እናተኣከብና፡ ማዕጾ ዓጺና፡ መብራህቲ ኣጥፊእና ምስታ ኢድ ዝተንከፈታ ሰበይቲ ክንራኸብ ስለዝኣዘዙና ኢና” በልዎ።

ኣባ ጳውሊ ንልኩም፡ ዘመድኩም ሓብትኹም፡ ኣዴኹም . . . ምኳፍን ዘይምኻናን ድኣ ከመይ ጌርኩም ትፈልጡ፡ ንሳቶም “ ክንፈልጥ ኣይንኽእልን ኢና። ምስ ዝረኸብና ኢና እንተሓሓዝ ” በልዎ።

ኣባ ጳውሊ ንሸኻትኩም ከም ሰብ ዘይኮንኩምሲ ከም እንስሳ ኢኹም።

ሽዑ ኣባ ጳውሊ ነዞም ዓሠርተ ሰባትን ነቶም ዝሞቱ ውን ብጸሎቱ ካብ ሞት ኣተንሢኡ ብግቡእ ሥርዓተ ክርስትና ምሂሩ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስቅዱስን ኣጥመቖም። ካብቲ ቅዱስ ምሥጢር ቅዱስ ሥግኡን ክቡር ደሙን ከኣ ሃቦም።

## ጻድቕ ኣቡነ ጳውሊ ምስ ዲያብሎስ ዝገበሮ ቃለ መጠይቕ

ቅዱስ ኣቡነ ጳውሊ ቅዱሳት ቦታታት ክበጽሕ ንኢየሩሳሌም ኣብ ዝኸደሉ እዋን እግዚኣብሔር ኣምላኽ ንሰይጣን ኪድ ኩሉ ግብርኻ ንገሮ ኢሉ ብዝኣዘዞ መሠረት ሰይጣን ድማ ሓንቲ ከይሓብአ ከመይ ጌሩ ንደቂ ሰባት ከምዘስሕቶም ሓደ ብሓደ ንኣቡነ ጳውሊ ገለጸሉ።

ሰይጣን ንኣባ ጳውሊ “ድላይካ ሕተተኒ ፈትየ ዘይኮንኩስ ብእግዚኣብሔር ኩሉ እቲ ግብርኻ ንዓለም ከመይ ጌርካ ከምተስሕታ ንፍቕረይ ጳውሊ ንገሮ ተባሂለ ስለዝተኣዘዝኩ ከይሓባእኩ ክነግረካ እኔኹ ተኣሲረ መጺአ ኣሎኹ።

ሕቶ፡- ንሰብ ብዘይ ፍቓድ እግዚኣብሔር ከመይ ጌርኩም ኢኹም እተስሕትዎ ዘሎኹም፡

መልሲ፡- ንሕና ብፍቓድ እግዚኣብሔር እንተ ተመላሊሱ ከነስሕቶ ይትረፍሲ ናብ ጥቕኡ ምቕራብ'ውን ንፈርህ ኢና። ንሕና ነስሕቶ ግን ካብ መንገዲ እግዚኣብሔር ክእለ ከሎ ኢና። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ግን ምቹእ ናይ መእተዊ ዕድል ንረክብ እሞ ከም ቃሕ ዝበለና ጌርና ንሕልንኡ ንቆጻጸሮ፡

ንኣብነት፡- ህግን እንተኾይኑ፡ ኣዲኡ ውን ስም እግዚኣብሔር ዘይትጽውዕ እንተኾይና፡ ኣብኡ ሓዲርና ሕማቕ ጠባይ ከምዝህልዎ ጌርና ነዕብዮ። ንኣብነት፡- ቀብጠርጠር፡ ስዲ፡ ተጻራፊ፡ ዘይምእዙዝ፡ ጠዋይ፡ ክፉእ ግብሩ. . . . .ንገብሮ።

ሕቶ፡- ከመይ ኢልኩም ንመንእሰያት ተስሕትዎም፡
መልሲ፡- ብፍትወት ዓለም፡ ትዕቢት፡ ትምክሕቲ፡ ብፍቕሪ መብልዕን፡ መስተን፡ ሥጋዊ ፍቕሪ፡ ፍቕሪ ደቀ ኣንስትዮ፡ ንኣዋልድ ድማ ፍቕሪ ወዲ ተባዕታይ ከም ዝሓድረን፡ ፍቕሪ ክዳን፡ ፍቕሪ ድቃስ፡ በረከት ናይ እግዚኣብሔር ምእንቲ ከይካፈሉ ናብ ቤተክርስቲያን ምኻድ ነጽልኡም፡ ልቢ መንእሰይ ብቕጥዐ ከምዝቃጸል ንገብር። ፍቕሪ ገንዘብ ነሕድረሎም ብሓሶት ከምዝምሕሉ፡ ብሓሶት ከምዝምስክሩ ንገብሮም፡ ኣብ ልቦም ቅንኢ ነእትወሎም፡ ከምዚ ጌሮም ስለዝነብሩ ድማ እቶም ዝዕቅብዎም መላእኽቲ ካብኣቶም ይርሕቑ።
ሕቶ፡- ንሸኻ እሞ መዓስ ትእመን ኼንካ፡ ንሓሶት ኣቦኣ ዶ ኣይኮንካን ከመይ ጌረ ክኣምነካ እኽእል፡
መልሲ፡- ፈትየ ዘይኮንኩስ እንሆ ናይ እግዚኣብሔር መልኣኽ ሰይፉ መሊሑ ገለ ነገር ከይሕሱ ኣብ ልዕለይ ጠጠው ኢሉ ይሕልወኒ ኣሎ። የግዳስ ኩሉ ዘድልየካ ገለ ከየጉደልካ ሕተተኒ እምበር ፍቓደይ ኔሩ እንተዝሸውን ቅድሚ ኹሉ ንዓኻ መስሓትኩኻ ድኣ እምበር ገለ እኳ ካብዚ ምሥጢር ሓሶት ኣይመካፈልኩኻን ምክንያቱ ነዚ ሜላ መስሓቲና ተረዲኦም ብዙሓት ሰባት ካብ ፍቓድና ምፍጻም ሃዲሞም ፈጸምቲ ፍቓድ እግዚኣብሔር ከምዝኾኑ ስለዝፈልጥ እየ።
ሕቶ፡- ኣብ ገዳመ ቆረንቶስ ደኣ ንኣምላኽና ክትፍትንዎ ክንደይ ደፈርኩም፡
መልሲ፡- ኣምላኽ ምኻኑ ኣይፈለጥናን ሓደ ካብ ነቢያት እዩ መሲሉና።
ሕቶ፡- ንሰማያት ደይብኩም ናይ መላእክቲ ምስጋና ትሰምዑ ዶ፡
መልሲ፡- ካብ ማዓርግና ምስ ወደቕና ፈጺምና ናብ ሰማይ ኣይንምለስን ኢና፡ ክሳብ ኣየር ግን ንበጽሕ ኢና። ሓለቓና ሳጥናኤል እንተዘይኮይኑ ንሳ ውን ሓንቲ ግዜ ንጻድቕ እዮብ ክፍትኖ ከሎ እዩ።
ሕቶ፡- ንደቂ ሰባት ምስ ኣስሓትኩም እንታይ ረብሓ ኣለኩም፡
መልሲ፡- ሐቢሮም ምሳና ኮይኖም ኣብቲ ባሕሪ ጸልማትን ባሕሪ ሓውን ይሓዝኑን ይነዱን፡ ንዘለዓለም ድማ ፍርዶም ኣብኡ ይኸውን።
ሕቶ፡- ንኣረጋውያን ከ እቲ እትፍትንዎም ፈተናታት ከመይ ዝበለ እዩ፡
መልሲ፡- ካብ ኣንብዝ መንእሰያት ብዝበለጸ ኣብ ሽማግለታት ወይ ኣቦታት ሰብ ሓዳር ትህኪት፡ ሸለልትነት ኣብ ልቦም እናሕሰብና ጸሎት ከይገብሩ ብትህኪት፡ ጾም ከይጾሙ፡ ኣንጊሆም ከምዝበልዑ፡ ቍርባን ወይ ሥግኡን ደሙን ኻኸይቅበሉ፡ የብቅዓና እናበሉ ክነብሩ ንገብሮም። ብጠቕላላ ካብ ኩሉ ሠናይ ነገር ከምዘቋርጹ ንገብሮም፡ ተራገምቲ ኻኽኑ ኣነ እኮ ወዲ እገለ እየ እናበሉ ብትምክሕቲ፡ ትዕቢት፡ ከምዝሕዞም ንገብር። ናይ ሰብ በደል ወይ ጌጋ ነርእዮም፡ ንሳቶም ግን በደል ከምዘይብሎም ሓቀኛታት ኢና ከምዝብሉ ንገብሮም።
ሕቶ፡- ብኽንደይ ዓይነት ተመሲልኩም ንወዲ ኣዳም ተስሕትዎ፡
መልሲ፡- ንሕና ብዘይንምሰሎ ነገር የልቦን ዕላማና ካብታ ብርህቲ ሃገር መንግሥተ ሰማያት ንሕና ንፈልጣ ሓንሳእን ንሓዋሩን ዝሰኣናያ ንወዲ ኣዳም ስለዝተዋህበት ንሱ ኻኸይኣትዋ ድሌትናን ሃረርታናን ስለዝኾነ ብዝተፈላለየ መልክዕ እናደናገርና ስራሕና ንቕጽል። ምክንያቱ ባህርያት ወዲ ሰብ በብዓይነቱ ስለዝኾነ ንሕና'ውን መልክዕና እናለዋወጥና ንማርኾ፡ ንኣብነት፡- መላእኽቲ ተመሲልና፡ ጻድቃን ተመሲልና፡ ባሕታውያን ተመሲልና፡ ቅኑዓት ሰባት ተመሲልና፡ ብደቂ ኣንስትዮ ጽቡቕ ዝመልክዐን መሳርሒና ጌርና፡ ብፈታዊ ተመሲልና፡ ብለባማት ኣረጋውያን ተመሲልና፡ ብነገሥታት፡ ብወትሃደራት ተመሲልና ነስሕቶም።ከምኡ'ውን ብኹሎም ኣራዊት፡ ብኣንበሳ፡ ብነብሪ፡ ብዝብኢ፡ ብህበይ፡ በኻርያ፡ ብተመን፡ ብዕንቅርቢት፡ ብኽልቢ፡ ብኣዕዋፍ፡ . . . ወዘተ ተመሲልና ንዓለም ነስሕታ።

ሕቶ፡- ስለምንታይ በዚ ኩሉ ተመሲልኩም ንፍጡር ወዲ ኣዳም ተስሕቱ፡

መልሲ፡- ሰባት ምእንቲ ከይፈልጡና፡ ምኽንያቱ ኣብ ምድሪ ንእግዚኣብሔር እናመስገኑ እንተድኣ ተቐሚጦም ምስ ሞቱ ናይ ዘለዓለም መንግሥቲ ሰማያት ስለዝወርሱ ብዘይምቁራጽ ለይቲ ምስ መዓልቲ ብዝተፈላለየ ተምሳላት ክሳብ መወዳእታ ዓለም ከነስሕቶም ንነብር።

ሕቶ፡- ንወዲ ሰብ ከምዚ ተመሲልኩም ከምእተስሕቱ ዝፈልጥ ፍጡር ኣሎ ዶ፡

መልሲ፡- ዝፈልጡና ኣለዉ ዘይፈልጡና'ውን ኣለዉ። እቶም ዝፈልጡና ፍርሃት እግዚኣብሔር ዘለዎም፡ ብቕንዕና ዝመላለሱ፡ ናብ ኣቦ ንስሕኣም ካህን ከይዶም ኩሉ ኃጢኣቶምን በደሎምን ነጊሮም ብንጽህና ናብ ቤተክርስቲያን ቀሪቦም ናይ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ቅዱስ ሥግኡን ክቡር ደሙን ዝቕበሉ ይፈልጡና እዮም። ኮሎ ጌና ናብኣቶም ከይቀረብና'ውን ብጨናና ይፈልጡና እዮም። ምኽንያቱ ንሕና ረሳሓት ኢና፡ ኣብ ብኃጢኣት ዝረሰሐት ሰብነት ድማ ንሓድር።እቶም ዘይፈልጡና ግን ነዚ ክንገልጾ ዝጸናሕና ዘየማልኡ ካብ ፍቕድ እግዚኣብሔር ወጺኦም ብፍልጠቶምን ሃብቶምን ክነብሩ ዝደልዩ፡ ብስስዕቲ ዓለም ተዋሒጦም ፍርሃት እግዚኣብሔር ዘይብሎም፡ ብሕሳብ ዓለም ተዋጢሮም ዝነብሩ ሰባት መን ምኳንና ፈጺሞም ከለልዩና ኣይካኣሎምን እዩ።

ሕቶ፡- ንመነኮሳት (ፈለስቲ) ከመይ ጌርኩም ትፍትንዎም፡

መልሲ፡- ካብ ኩሉ ፍጥረት ደቂ ኣዳም እቲ ዝበርተዐን ዝኸበደን ውግእን ባእስን ምስ ባሕታውያንን መነኮሳትን እዩ። (ኤፌ. 6፥10-20) ምኽንያቱ ነታ ናትና ዝነበረት ክብሪ ስለዘሕደጉና ነዚኣቶም ክነውድቆም ከለና ኣብ መ- መርታ ብንብዓት ክጽልዩ፡ ጸሎት ከምዘብዝሑ፡ ስግደት ብብዝሒ ከምዝሰግዱ፡ ርኅራኄ ከምዝህልዎም፡ ኩሉ ትእዛዝ ኣምላኽ ከምዝፍጽሙ ንገብር እሞ ጽንሕ ኢልና ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ትህኪት ኣምጺእና ነቲ ውዑይ ፍቕሪ ኣምላኽ ከም ዝዝሕል ንገብሮ።

ናይ ዓለም ሕሳብ ንዘርኣሎም ካብ ኣብ ገዳም ምቕማጥ ኣብ ከተማታት ኃኽነብሩ ነፍትዎም። ከም እኒ ኣብርሃም ብቓልኪዳን ዝጸደቑ ነዘካኽሮም። ከምኡ'ውን ኣብ ልቦም ጽልኢ፡ ቂም፡ ፍቕሪ ሽመት፡ ፍቕሪ ገንዘብን ወርቅን፡ ብሩርን ሕሜትን ኃኽፍጽሙ ነተጋግሆም፡ ኣብ ልዕሊ መማህራን ወይ ኃለፍቶም ብዝተፈላለየ ተንኮል ከምዝላዓዓሉ ማለት ብኽስን፡ ነገርን ምስ ደቂ ማኅበሮም ተጻሊኦም ፈቐዶ ከተማታትን ዓድታትን ከም ዝዙሩን ኮለል ከምዝብሉን ንገብር።

ኣብ ውሽጢ ሕልናኦም ፍቕሪ ደቂ ኣንስትዮ ንተክል፡ ብፍቕሪ ውላድ፡ ብፍቕሪ ቤተሰቦም፡ ከምዝቃጸሉ ናብታ ዝሓደግዋ ዓለም ከምዝምለሱ ንገብሮም፡ ፍቕሪ ጥዑማት መባልዕን መስተን፡ ክዳውንትን ሽልማትን ነሕድረሎም። ነቶም ብመርዓ ዝጸደቑ ነቢያት፡ ሐዋርያት ሰማዕታት ነዘካኽሮም።

ብድምጺ ኣራዊት፡ ብግርማ ለይቲ፡ ብቕሪ ብፀሐይ፡ ከመይ ኢሎም ዕድሚኦም ምሉእ ከምዘሕልፍዎ ነሕሰቦም እሞ ተስፋ ቆሪጾም ከምዝጭነቑ ንገብር። ብሕልምን ብምትሃትን ነፈራርሆም፡ ኣብ ቅድሚኦም ኣራዊት መሮር ተራኽቦ ክፍጽሙ ከለዉ ነርእዮም፡ ትዕቢትን ትምክሕትን፡ ሕማቕ ፍርሃትን ኣሕዲርና ዓይነ ልቡናኦም ነዕውሮም።

ጸሎት እንተጸለዩ ነቲ ጸሎት ብታህዋኽ ብዘይ ምስትምቓርን ኣስተንትኖን ከይተረድኦም ከምዝጽልዩ፡ ኣብ መንጎ ጸሎት እትው ውጽእ ከምዝብሉ፡ እንተጸለዩ ውን ብዘይ ፍርሃት፡ ኣብ ቤተክርስቲያን ደው ምባል ገዲፎም ኮፍ ከምዝብሉ *“ወንፈሰዮሙ ያግደምድሙ ኣእጋሪሆሙ”* “ኣብ ግዜ ጸሎት ኣእጋሮም ከምዝሕልኹ ንገብሮም።”

ኣብ ውሽጢ ቤተክርስቲያን ንየማንን ንጸጋምን ነማላልሶም፡ ኣብ ልቦም ኣቲና ውጻእ ውጻእ ነብሎም። ከምዚ ስለዝገብሩ ከኣ መላእኽቲ ይጸልእዎምን ይፍንፍንዎምን፡ ሽዑ ንሕና ኣብ ቁጽጽርና ኃኽነእትዎም ጥጡሕ ባይታ ንረክብ።

ከምኡ'ውን ካህናትን ዲያቆናትን ብድፍረትን ብትዕቢትን ናብ ቤት መቕደስ ኣትዮም ምስ ቂምን በቐልን ጽልእን ባእስን ክርክርን ህልኽን ኣብ ልቦም የሕዲሮም ብዘይ ፍርሃት ቅዱስ

ሥግኡን ክቡር ደሙን ከምዝቐበሉ ንገብር። ከምኡ'ውን እቲ ዲያቆን ይኹን ካህን ነቲ ንባብ ወይ'ውን ነቲ ዜማ እንተጸይቕዎ ከምዝላገጹን ከምዝንዕቅዎን ንገብር። ኣብ ቅድሚ ሰባት ሕማቕ ኣርኣያ ከምዝኾኑ ንገብሮም፣ እቶም ንዕኦም ዝራኣዩ ድማ ንሃይማኖቶምን ነቶም መራሕቶምን ከምዝንዕቁ ንገብሮም።

ንመጻሕፍትን ጸሓፍቶምን ከምዝጸርፍዎም ኣነ ከኣ በቲ ዝኣምንዎ መጽሐፍ ክጸርፍዎም ምስ ዝሰምዕ ኣዝዩ ደስ ይብለኒ።

ኣቡነ ጳውሊ ነዚ ምስ ሰምዐ መሪር ብኽያት በኸየ። ሰይጣን ከኣ ስለምንታይ ትበክን ትሓዝንን ኣሎኻ፣ እዞም ኩሎም ዲያቆናትን ካህናትን መነኮሳትን ጳጳሳትን ከማኻ ኣይኮኑን። እምበኣርከስ ክትሓዝንን ክትበክን እንተደሊኻ ምእንቲ እቶም ኣብ ዳሕረዋይ ዘመን ዝውለዱ ደቂ ኣዳም ብኽ፣ ስለ ነገሥታት ብኽ፣ ምእንቲ ጳጳሳት ብኽ፣ ምእንቲ መነኮሳት ብኽ፣ ምእንቲ ካህናት ብኽ፣ ምእንቲ ዲያቆናት ብኽ፣ ምእንቲ ኣቦታትን ኣዴታትን ብኽ፣ ምእንቲ መንእሰያትን፣ ኣዋልድን ብዘይ ሕጊ ድንግልናኣም ንዝሙት ዝሸጡ ብኽ።

ነዚኣቶም ኩሎም ኣብ ዝመጽእ ዘመናት ኣብ ትሕቲ መርገጽ እግሪይ ናብ ኃጢኣት ከስግዶም እየ፣ ፍቕደይ ክፍጽሙ፣ ብዝመራሕክዎም መንገዲ ክኸዱ፣ ርሃጾም ንዓይ ከምዝግብሩ ብኽያቶምን ኣውያቶምን ስለርእሶም ዘይኮነስ ስለ እቶም ብሞት ዝሓለፉ ኣሕዋቶምን ኣዝማዶምን ጥቕሚ ዘይብሉ ብንብዓትን ኃዘንን ልቦም ከምዝሓርር ክገብር እየ። ኩሉ ኣምላኽ ዝገብረሎም ካብ ዓይኖም ሠዊረ ብልምዲ ከምዝነብሩ ኮይኑ ከርእዮም እየ። ስለዚ ክድሕኑን ካብ ኃጢኣት ክምለሱን እንተደሊኻ ስለዚኣቶም ጸሊ፣ ስለዚኣቶም ስገድ፣ ስለዚኣቶም ጹም፣ ስለዚኣቶም ተማህለል፣ ኢሉ እቲ ፈታኒ ዘረባኡ ምስ ወድኣ ኣቡነ ጳውሊ ብኽያቱ ካብ ቀዳማዩ ኣብ ዳሕራዩ ኣጸቢቑ በኸየ።

***ጸሎቱን በረኵቱን ናይ ኣባ ጳውሊ ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።***

- ሰላም ለጳውሊ ለሰይጣን ዘቀነዮ፣
- እስከ ይከስት ሎቱ ለዕንለ እመሕያው ከመ ያጌግዮ፣
- ወለአቦሊ ሰላም ዘነበረ በጸልዮ፣
- እንዘ ኢይሄሊ ዘዕለት ሲሳዮ፣
- እለ ኢይዘርኡ አዕዋፈ በሰማይ ርእዮ

***ምንጪ፦ ሰንክሳር ዕለት ፳፬ ታኅሣሥ***
***ገድለ አቡነ ጳውሊ ግዕዝ***

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ጻድቕ ቅዱስ ኣቡነ መቃርዮስ ዓቢ ዘገዳመ ኣስቄጥስ

ቅዱስ ኣቡነ መቃርስ ስም ኣቡኡ ካህን ኣብርሃም ሰም ኣዲኡ ሳራ ይብሃሉ። ዝተወልደሉ ዓዲ ኣብ ውሽጢ ግብጺ መኑፍ ብፍላይ ከኣ ሳሱር ትብሃል።

እዞም ክልተ ቅዱሳን ወለዶም ኣቐዲሙ ውሉድ ኣይነበሮምን እሞ ውሉድ ብምስኣኖም ንነዊሕ ግዜ ናብ እግዚኣብሔር ውላድ ክህቦም ይጽልዩ ነበሩ። ሓደ ግዜ ኣቦ ብዙኃት መነኮሳት ዝኸውን ዓቢ ውላድ ከምዝረኽቡ ካብ እግዚኣብሔር ዝተላእኸ መልኣኽ ነገሮም። ሽዑ ኣቡነ መቃርዮስ (መቃርስ፣ መቃሪ፣ መቃራ) ብዕለት ፲፬ (14) መስከረም ተወልደ። ስሙ ከምዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ መቃርዮስ ኣውጽኡሉ። ትርጉሙ ብዑዕ ማለት እዩ።

ዓቕሚ ኣዳም ምስ በጽሐ ሓንቲ ጓል ዓበይቲ ንሱ ከይፈተወ ኣሕጽዮም ኣመርዓውዎ። ንሱ ግና ምእንቲ ሥጋዊ ርክብ ከይፍጽም ሓሚመ ብምባል ንነዊሕ እዋን ጸንሐ። ድሕሪኡ ነቡኡ ካህን ኣብርሃም "ኣቦ ኣነ ናብዚ ገዳም ከይደ ማየ ጸሎት ተሓጺበ ክመጽእ ሕደገኒ" በሎ። ኣቡኡ ከኣ ሐራይ እዚ ወደይ ተሓጺብካ ምጻእ ብምባል ኣፍቀደሉ። ኣቡነ መቃርስ ኣብዚ ገዳም እዚ ኮይኑ እናጸለየ እንከሎ ሓደ በዓል ፮ (6) ኣኽናፍ ኪሩብ መጺኡ ብኽልተ ኣእዳው ሒዙ ናብዚ እምባ ኣደየቦ።

እዛ ገዳም እዚኣ ስምካ ዝጽውዕላ ናይ ደቕኻ ብመንፈስ እትወልዶም መንበሪ ክትከውን እያ ኢሉ ስፍሓታ፣ ጐድና፣ ጽባቐኣ ኣርኣዮ። ካብዚ ገዳም እዚ ናብ እንዳ ዓለቡኡ ማለት ናብ ወለዱን መርዓቱን እንተ ተመልሰ፣ እታ መርዓቱ

ሓሚማ ሞይታ ጸንሐቶ። ንሱ ተሓጉሱ ናብ ፈጣሪ ምስጋና ኣቕረበ።
እቶም ደቂ ዓዱ ደቂ ሳሱዩር ትሕትናኡን ሓቅነቱን፣ ትምህርቱን ርእዮም ካብ መዓርገ ዲቁና ክሳብ መዓርገ ክህነት ኣውሂቦም ቤተክርስቲያን ሃኒጾም ኣገልግለና በልዎ። ድሕሪ ነዊሕ ኣገልግሎት እቲ ኣቐዲሙ ዝተራእዮ በዓል 6 ክንፊ ኪሩብ ተገሊጹ፣ ኣብታ ዝሓበሮ ገዳም ኣስቄጥስ (መደልወ ኣልባብ) ክነብር ሓበሮ። እዚ ቦታ እዚ ብስም እቶም ደቅኻ መክሲሞስን ዱማቴዎስን ዝስመ እዩ። ኣብዚ ገዳም እዚ ኾይኑ ብፈተና ኣጋንንትን ብጾምን ጸሎትን ድሕሪ ምጽናሕ ብዛዕባ ብሕትውና ዝምልከት ምኽሪ ንምርካብ ናብ ኣቡነ እንጦንዮስ ከደ።
ኣቡነ እንጦንዮ ናብኡ ይመጽእ ከምዘሎ ብመንፈስ ስለ ዝተገልጸሉ ከም ሓደ ኣቦ ጠፊኡ ንዝነበረ ወዱ ዝቐበሎ ብዓቢይ ክብርን ሰላምታን ተቐበሎ። ኣቡነ መቃርዮስ ዘምጽኦ ሕቶታት ብዛዕባ ፈተና ኣጋንንት ዝምልኸት ካብ መጀመርታ ክሳብ መፈጸምታ ተረዲኡ ናብ ቦትኡ ተመልሰ። ሓደ መዓልቲ ፍርቂ ለይቲ ኣብ ጸሎቱ ጐይታ ድምጺ ኣጋንንቲ ክሰምዕ ገለጸሉ እሞ ከምዚ ዝስዕብ ዝብል ድምጺ ኣጋንንት ሰምዐ። “ነዚ ፈላሲ እዚ ኣብዚ ቦታ እዚ ክቐመጥ ስቕ ኢልና እንተ ሓዲግናዮ፣ ንሱ ናይ ብዙሓት ኣመንቲ መራሒ ኮይኑ ሕዝቢ ኣኪቡ ሃገር ሰማያውን ምእንቲ ከይገብሮም ንዑ ተኣኪብና ንሰንሶ” ዝብል ድምጺ ነብረ።
ነዚ ምስ ሰምዐ ንዝገለጸሉ ጐይታ ኣመስጊኑ በቲ ኣቡነ እንጦንዮስ ዝሓበሮ ኣንጻር ኣጋንንቲ ዝኾነ መሳርያታት ጾም፣ ጸሎት፣ ስግደት ክዋጋእ ጀመረ። እቶም ኣጋንንት ተኣኪቦም ሓዊ ኣንዲዶም ናብ ኣፍ ደገ በዓቱ ካብቲ ሓዊ ይስንድዉሉ ነበሩ። እቲ ዝደርበይዎ ሓዊ ከኣ ብጸሎቱ ይጠፍእ ነበረ።
ከምኡውን ብዝተፈላለየ ፈተናታት ፈተንዎ፣ ማለት ብዝሙት፣ ብሓጐስ ዓለም፣ ብጓሂ ብትዕቢት፣ ብፍቕሪ ገንዘብ፣ ብኽብሪ ዓለም፣ ብትምክሕቲ፣ ብፍርሂ፣ ብትህኪት፣ ብጸርፊ፣ ብቀቢጸ ተስፋ፣ ብቓንዛ . . . ወዘተ ከምቲ ኣቡነ እንጦንስ ዝነገሮ ፈተንዎ።
ኀሳልኣይ ግዜውን ናብ ኣቡነ እንጦንዮስ ከይዱ ዘጋጠሞ ኩሉ ነገሮ። ኣቡነ እንጦንዮስ እዚ ወደይ ኣጆኻ ጽናዕ፣ በርትዕ ኣይትፍራህ ምኽንያቱ ንሕና ኀኹሉ ዝመጸና ናይ ኣጋንንት ፈተነታት ተዓጊስና ንዝመጽእ ወለዶ ኣበነትን መምህራንን ክንከውን ይግብኣና እዩ።
ኣብዚ ግዜ እዚ ኣቡነ እንጦንዮስ “እዚ ወደይ እታ ማይ ክትቀድሕ ክትከይድ ከለኻ እቲ ኪሩብ ዝነገረካ ሕድሪ ኣይትረስዕ” በሎ። ኣቡነ መቃርዮስ ብትምህርቲ ኣብ ትሕቲ ኣቡነ እንጦንዮስ ነዊሕ ጸኒሑ ኣቦ ኣመንኩሰኒ ምስ በሎ ስለዘመንኮሶ፣ በዚ ምኽንያት እዚ ኣቦን ወድን ተባህሉ።
ኣቡነ እንጦንስ “እግዚኣብሔር ድሕሪ ሓጺር ግዜ ክጽውዓኒ እዩሞ መጺእካ ቅበረኒ” ኣቡነ መቃርዮስ ሐራይ ኣቦይ መዓ ረይ። ኣቡነ እንጦንዮስ ብምኽርን ለበዋን መቃርዮስ ወደይ ጥራይ ዓቕሊ ግበር እምበር ከምቲ ንዓይ ዝሓገዘኒ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ካብ ፈተና ኣጋንንት ክሕልወካ እዩ ኢሉ እታ በትሩ ሃቦ። ከምታ ቃሉ ከኣ ብኢድ ኣቡነ መቃርዮስ ወዱ ተቐብረ።
ድሕሪኡ ኣቡነ መቃርዮስ ቅድሚኡ ኣብታ ዝተዋሃበቶም ገዳም መን ከም ዘሎ ክፈልጥ እንተኸደ ክልተ ክዳን ዘይተኸድኑ ጥራይ ነብሶም ሰባት ረኸበ ሰይጣውንቲ እዮም ዝኾኑ ኢሉ “ኣልቦትበረቦን” (ኣቡነ ዘበሰማያት) ኢሉ እንተጸለየ፣ ንሳቶም “ኦ መቃርዮስ ኣይትፍራህ” በልዎ።
ኣቡነ መቃርዮስ “እንታይ ድኣ ጥራይ ነፍሶኹም፣ ቁርን ፀሓይን ከመይ ጌርኩም ትጻወሩ” እንተበሎም፣ ንሳቶም “እግዚኣብሔር ስለ ዘኽኣለና ቁርን ፀሓይን ከይረኸበና ንኣርብዓ (፵) ዓመት ኣብዚ ንነብር” በልዎ። ንሱ ኣነ ድኣ ከምዚ ናትኹም ክኸውን ከመይ ገይረ እየ ዝኽእሎ፣ እንተበሎም፣ ንሳቶም “ኣብ በዓትካ ተቐሚጥካ ብዛዕባ ሓጢኣትካ እንተበኺካ ከማና ክትከውን ኢኻ ኢሎም ባሪኾም ነናብ በዓቶም ከዱ።
ኣብኡ ከኣ ብደቂ ዝተሰርሐ መሕጸቢ ማይ ዒላ ወይ ጉድጓድ ነበረ እሞ ኣቡነ መቃርዮስ ክሕጸብ ከሎ ኣጋንንት ብጉሩብ መጺኦም ናብቲ ዒላ ደፍእዎ፣ ንኽመውት ፍቓድ

ኣምላኽ ስለ ዘይኾነ ደቁ መጺኦም ካብቲ ዝወደቐ ዒላ ኣውጽእዎ።

## ቅዱስ ኣቡነ መቃርስ ዓቢ ብትዕቢት ከምዝተፈተነ

ንቅዱስ ኣቡነ መቃርስ፦ ናብተን ክልተ ኣንስቲ ኪድ በሎ። እዘን ክልተ ኣንስቲ እዚኣተን ክልተ ኣጎዋት ዝኾኑ ሰብኡት ተመርዕየን ብሓድነትን፣ ፍቕርን ይነብራ ነበራ። ቆልዓ ኣብ ዝወለዳሉ ግዜ ውን ብዘይ ኣፈላላያ ናይታ ሓንቲ ቆልዓ እታ ሓንቲ፣ ናይታ ሓንቲ ውን እታ ሓንቲ እናኣጥበዋ የዕብያ ነበራ። ጋሻ ለማናይ እንተ መጽአን እውን ተቐቢለን ሓደ እግሩ እታ ሓንቲ፣ ሓደ እግሩ እታ ሓንቲ የሓጽባኦ ነበራ። ከምኡ እውን ሓደ ኣረጊት ከልቢ ነበረ፣ ንዕኡ እውን ሓንቲኣን ምሳሑ፣ ሓንቲኣን ድራሩ፣ እናሃባ ይረድእኦ ነበራ። ኣቡነ መቃርዮስ ከምታ ዝተኣዘዛ ናባታተን ይኸይድ እሞ ከምታ ልማደን ሓንቲ እግሩ እታ ሓንቲ፣ ሓንቲ እግሩ ከኣ እታ ሓንቲ ሓጸብኦ። እዘን ደቐይ ናብራኽን ከመይ እዩ እስከ ግለጻለይ በለን። ንሳተን ከኣ ናብራና እንታይ ክሕተት ዓለማውያን ኢና ስብኡት ኣለዉና እናወለድና እናዘመድና፣ ቤት ንብረት ዝኣና ንነብር በልኦ። ኣይፋልክንን፣ ካብ ኣምላኽ ብትእዛዝ እየ መጺኡ ኩሉ ግብርኻትክን ብዘይተረፍ ንገራኒ በለን። ንሳተን እምበኣርከስ " ሰብኡትና ክንምንን እንተበልና ዘይሰዱና ስለዝኾኑ ደቅና ከነዕቢ ኢልና ኢና እምበር ኣብዚ ዓለም'ዚ ንምንባር ፍቓደኛታት ኣይኮንናን። ናትና ድሌትሲ ነዚ ዓለም'ዚ ጠንጢንካዮ ምኻድ እዩ። ስራሕና ከኣ ከምዚ ትርእይዎ ዘሎኹም፣ ጋሻ ምቕባል፣ ተቐቢልና ነዚ ኣረጊት ከልቢ ብጽቡቕ መጊብና (ረዲእና) ቆልዑት እኳ እንተወለድና ናይ ሓንቴና፣ እታ ሓንቲ፣ ናይታ ሓንቲ እታ ሓንቲ ኣጥቢና የዕቢና ኢና ንነብር በላኦ።

ቅዱስ ኣቡነ መቃርዮስ እዚኣተን እኳ ዓለማውያን እንከለዋ ከምዚ ጌረን ዝተጋደላ ኣነ ድኣ እንታይ ግብሪ ኣሎኒ ክብል እየ ብምባል ትሕትና ተማሂሩ ከደ። ክኸይድ ከሎ እቲ ዝበለጸ ግብርኽን ናይዚ ኣረጊት ከልቢ እዩ እሞ ከይትገድፍኦ ሓደራኽን ኢሉ ተላበወን።

## ካብ ዝገበሮ ተኣምራት ብሓጺሩ

ሓንቲ ምስ ሓደ መንእሰይ ዝሙት ዝፈጸመት ጓል እቲ ዝተራኸባ ወዲ "ወለድኺ ካብ መን ጠኒስኪ ምስ ዝብሉኺ፣ እቲ ኣብታ በዓቲ (ቤተክርስቲያን) ዘሎ ፈላሲ ብኡኡ ክሓልፍ ከለኹ ብሓይሊ ሒዙ ዓሚጹኒ ጠኒሰ ትብሊ" በላ። እታ ጓል ትጠንስ እሞ ወለዳ እንተሓተትዋ ከምቲ እቲ ወዲ ዝበላ ኢላ መለሰትሎም። ቤተሰባ ነዚ ነገርዚ እዚ ምስ ሰምዑ ብቑጥዓ፣ ብብዝሒ ተኣኪቦም ንኣቡነ መቃርዮስ ካብቲ በዓቲ ኣውጺኦም፣ ሒዞም ክሳብ ክመውት ዝደሊ ከትከትዎ።

እቲ ድንግልና ጓልና ዘጥፍኣ ሰብ እዚ እዩ ብምባል ከም ሓደ ዕቡድ (ጽሉል) ኣብ ክሳዱ ገመድ ኣሲሮም ገጹ ብጸሎሎ ለኽዮም፣ ንየማን፣ ንጸጋን እናወጠጡ ኣብቲ ዓዲ ኣዘርዎ። ኣብዚ ግዜ እዚ መላእኽት ብመልኽዕ ደቂ ሰባት ተገሊጾም "እዚ ሰብ እዚ እንታይ እዩ ፈጺሙ፣ ካብ ቀደም ኣትሒዝና ንፈልጦ ኢና፣ እዚ ትብልዎ ዘለኹም ፈጺሙ ሓሶት እዩ ኣይወዓሎን" ኢሎም መስከሩሉ። ቅርብ ኢሎም እውን ነቲ ተኣሲሩሉ ዝነበረ መእሰሪ ገመድ ፈትሑሉ። ብዋሕስ ንኽለቅዎ ውን ነገርዎም። ኣብዚ ግዜ እዚ ኣቡነ መቃርዮስ ቀደም ዝሰርሑ ዝነበረ ስሌን ተቐቢሉ ዝሸጠሉ ዝነበረ ፈታዊኡ ቀልባ ድማ ይብሃል እምበር ስቕ ኢልካዶ ይቕጥቀጥ እዩ ኢሉ ተዋሕሶ። ካብ ኢድ እቶም እኩያት ሰባት ወጺኡ ናብ በዓቱ ከደ።

ኣቡነ መቃርዮስ ቀልባ ስለ ዝተባህለ ኣብ በዓቱ ኮይኑ፣ ቅርጫት፣ መብልዒ እንጀራ ስሪሑ ነቲ ዋሕስ፣ እቲ ዋሕስ ከኣ ተቐቢሉ ሸይጡ ነታ ሓሳዊት ጓል ቀለብ የብጽሓላ ነበረ። እታ ካብ ካልእ ዝጠነሰት ጓል ግዜ ሕርሳ ኣኺሉ ሕርሲ ተታሒዛ ምውላድ ስኢና ንኣርባዕተ መዓልቲ ተጻዕረት። ኣዲኣ "እዛ ጓለይ እንታይ ኢኺ ግዲ ጌርኪ" እንተ በለታ "እወ ኣደይ ኣነ ክመውት ይግብኣኒ እዩ፣ ምኽንያቱ ምስ ሓደ መንእሰይ ንዝፈጸምክዎ ዝሙት ንዘይገበሮ ኣባ መቃርዮስ ስለ ዘላገብኩሉ ሓጢኣተይ እዩ" ኢላ መለሰት። ሕጂውን ከምቲ ቀዳሞት ቤተሰባ ነዚ ነገር እዚ ምስ ሰምዑ፣ ተኣኪቦም መጺኦም ንዝገበርዎ በደላት ክሓድግሎም

ለመንዎ። ኣቡነ መቃርስ ከም ኣምላኹ ሓዳግ ስለ ዝነበረ፡ ሥርየት ሂቡ ቅዳሴ ሠሪዑ ኣቀሩቦም።

(ኣብ ማር ይስሓቅ ምዕ 32 ይቅረ በለልና ክብሉ እንተመጹ ካብ በዓቱ ወጺኡ ስለ ዝነበረ ክረኽብዎ ኣይከኣሉን ይብል፡ ካልኦት ጽሑፋት ግና ከምዚ ዝተጠቐሰ ስለዚ ኣንበብቲ ኀኹሉ መርምርዎ ይብሉ።)

፪ ጓል ንጉሥ ኣንጾክያ ርኹስ መንፈስ ሓዲርዋ ስለ ዝነበረ ከም ሓደ መንእሰይ ኾይና መጸቶ እሞ ብጸሎቱ ኣሕውዩ ፈዊሱ ናብ ወለዳ፡ ኣቡኣን ኣዲኣን ሰደዳ። ኣቡኣ ንጉሥ ስለ ዝኾነ ብዙሕ ብሩርን ወርቅን እንተሃበ ምቐባል ኣበየ።

፫ ሓደ ፈላሲ በዓል ኣውሶም ናይ ትንሣኤ ሙታን ጥርጥር ዝነበሮ ከምኡ ውን ትንሣኤ ሙታን የለን ብምባል ንብዙሓት ሰባት ዘስሓተ ንዝነበረ ኣቡነ መቃርዮስ ካብ መቓብር ምውት ኣተንሢኡ ኣእመኖ። እቲ ካብ ሞት ዝተንሥኣ ከጠምቐ ለመኖ። ኣጥሚቹ ኣመንኩሱ ድሕሪ (7) ፯ ዓመት ናብ ዝነበሮ ሞት ብጽድቂ ከደ።

**መዓልቲ ዕረፍቱ**

ቅዱስ ኣቡነ መቃርዮስ ግዜ ሞቱ ምስ ኣኽለ፡ ድሕሪ (97) ፺፯ ዓመት ብዕለት ፳፰ (28) ጥቅምቲ እቲ ኩሉ ግዜ ዘጸናንየ ዝነበረ ኪሩብ (መልኣኽ) “በል ተዳሎ ግዜ ዕረፍትኻ ኣኺሉ እዩ” በሎ። ሽዑ ኣባ እንጦንዮስ፡ ኣባ ጳውሊ፡ ከምኡውን ኩሎም ቅዱሳን መጺኦም ብዝማሬ መላእኽቲ ነፍሱ ንሰማይ ከዕርግዋ እንከለዉ” “ወኮነ ስምዐ ኣበ በብኑዳ በእንቲኣሁ” ነፍሱ ንሰማይ ክትዓርግ ከላ ሰይጣውንቲ ከምዚ ኢሎም ክጭድሩ ከለዉ ኣባ በብኑዳ ሰምየም። ወሰምየሙ ለሰይጣናት እንዘ ይኬልሑ ወይብሉ ሞዕከነ ሞዕከነ ኦ መቃሪ፡ ወይቤሎሙ ዓዲየ እስከ ይእዜኒ ኢየኣምን ወሶበ ቦኣ ውስተ ገነት ይትባረክ ኣምላኪየ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘለሎቱ ስብሐት ዘአድኃነኒ እም እዴክሙ። ኣባ በብኑደ እቶም ኣጋንንት ኦ መቃርዮስ ኣሰኒፍካና ክብሉ ከለዉ ሰምየም። ኣቡነ መቃርዮስ ከኣ ጋና ክሳብ ሕጂ ኣይኣምንን ናብ ገነት እትው ምስ በለ፡ እቲ ካቦትኩም ዘድሓነኒ ኣምላኽይ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተመስገነ ይኹን በለ።

**ምግዓዝ ዓጽሚ ኣቡነ መቃርዮስ**

ድሕሪ ሞት ኣቡነ መቃርዮስ ደቂ ዓዱ ሰብ ሃገር ሳሰዩር ነቲ ተማሃራይ ገንዘብ ብምሃብ ብሕቡእ ወሲዶም ኣብ ዓዶም ኣብ ሳስዩር ቤተ ክርስቲያን ሰሪሖም ብኽብሪ ሓዝዎ። ክሳብ ዘመን ምስልምና ኣብ ሳስዩር ነበረ። ድሕሪኡ ግና ናብ ካልኣ ሃገር ኣግዒዞም ክሳብ ዘመን ኣባ ዮሓንስ ንኣርባዕተ ሚእቲ (400) ዓመታት ዝኣክል (440) ቤተክርስቲያን ሓኒጾም ኣብኡ ጸንሐ። ኣብቲ ናይ ቅዱስ መቃርዮስ ሓላፊ ኣባ ሚካኤል ምስተሸመ እቲ ሊቀ ጳጳሳት ጾመ ኣርብዓ (፵) ክጸውም ናብ ገዳም ምስ ደየበ ካብ ጐይታ ሓገዝ እንተረኺበስ ሥጋ ናይ ቅዱስ መቃርዮስ ኣብ ማእከልና ክኸውን እፈቱ ብዝብል ቃል ተናገረ።

ድሕሪ ሓጺር ግዜ ምስኡ ብዙሓት ኣረጋውያን መንኮሳት ኣኸቲሉ ብምምጻእ ኣባ ሚካኤል ናይ ቤተ ክርስቲያን ሓላፊ ደብሪ ደየበ። ሽዑ መንፈሳዊት ዝኾነት ሓሳብ ናብ ኩሎም ንሥጋ ቅዱስ መቃርስ ኀኸግዕዝዎ መጸቶም። ኀኽወስድዎ ምስተዳለዉ እቶም ደቂ እቲ ከባቢ ኣሳይፍን ኣባትርን ብምሓዝ ከይወደስድዎ ከልከልዎም። እታ ለይቲ እቲኣ እቶም ኣረጋውያን ብሓዘንን ጓህን ስቕ ኢሎም ሓደሩ። ሽዑ ኣቡነ መቃርስ ነቲ ሓላፊ ናይቲ ቦታ (መኰንን) ስለምንታይ ኢኻ ናብቶም ደቀይ ከይኸይድ እትክልክለኒ ዘለኻ ሕጂ ግና ምሳታቶም ናብቲ ቦታይ ክኸይድ ሕደገኒ በሎ። ንጽባሒቱ ብፍርሂ ተንሢኡ ነቶም ኣረጋውያን ንሥጋ ቅዱስ መቃርስ ክወስድዎ ኣፍቀደሎም። ንሳቶም ኣልዒሎም ብመርከብ ተጻዓ ዮም ኣብ ተርኑጥ ዝተባህለት ዓዲ በጺሖም ምሳታቶም ዘፋንውዎ ከኣ ብዙሓት ሕዝቢ ካብ ዝተፈላለየ ዓድታት ኾይኖም ሓደሩ። ጸልዮም ቀዲሶም ቅዱስ ቁርባን ተቐበሉ። ካብኡ ተሰኪሞም ኣብቲ ፍርቂ ዓቐብ ገዳም ምስበጽሑ ደኺሞም ከዕርፉ እንተበሉ ኣባ ሚካኤል ሕያው እግዚኣብሔር ክሳብ እታ ቦትኡ ባዕሉ ዝሕብረና ክሳብ እታ ኪሩብ ዝተራእዮ ኀኺድ ኣይተዕርፉ” በለ።

ሽዑ ምስ ከዱ እቲ ተጻዒንዎ ዝነበረ ገመል ኣብታ ቦታ ምስ በጽሐ ተንበርከኸ ዝበሎ ዘየብሉ ባዕሉ ተንበርኪኹ ኮፍ በለ። እቲ ገመል ንየማይ ንጸጋም እናበለ ነቲ ሳጹን ክልሕሶ

ምስረኣይዎ ናይ ብሓቂ እዚኣ እያ እታ ቦትኡ ኢሎም ንእግዚኣብሕሐር ኣመስገኑ። እቲ ቦታ ከኣ ክሳብ ሎሚ ፍሉጥ ኮይኑ ኣሎ።
እቶም ኣብቲ ገዳም ዝነብሩ ዝነበሩ መነኮሳት ከኣ ብዝግባእ ተቐበልዎ ኣብቲ መዓልቲ እቲ ብዙሕ ተኣምራትን መንክራትን ካብ ሥጋ ቅዱስ መቃርዮስ ተራእየ

- ሰላም እብል ፍልሰተ ሥጋሁ ክቡረ።
- ለመቃርዮስ ዘየዓቢ መንገለዘሐነፀ ደብረ።
- በከሊአ በድኑ ቅድስት ለእለ አንሥኡ በትረ።
- ለምንት ይቤሎሙ ትከልኡኒ ሓዊረ።
- ምስለ ውሉድየ አህሉ ኅቡረ።

ስንክሳር ዕለት ፲፱ ነሓሴ

ብዛዕባ ማሚጦስ ወዱ ዝሙት ዝፈጸመ
ኣቡነ መቃርዮስ ናይ ገዳም ሓላፊ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ካብቶም መነኮሳት ማሚጦስ ዝተባህለ ናብ ሓንቲ ሰበይቲ ብምኻድ እቶም ማኅበር ስለ ዝጠርጠርዎ ዝሙት ፈጺሙ ብምባል ቀጻሊ እኳ ናብ ሓላፊ ገዳም ኣቡነ መቃርዮስ ይኸዱ እንተነበሩ ኣቡነ መቃርዮስ ግና ኣዝዩ ዓቃል ስለ ዝነበረ ማሚጦስ ወደይሲ ኣይውዕሎን እዩ ብምባል ንነዊሕ ግዜ ጸንሐ። ድሓር ግና ንሱ ናብ ቤታ ዝኸዳ ዝነበረ ንስ ናብ በዓቱ ኣትያ ረኣይዋ። ኣብዚ ግዜ እዚ እቶም ከሰስቲ ከይዶም ከም ቀደሞም እቲ ቅድሚ ሕጅስ ምእማን ትኣብየና ኔርካ ሕጂ ግና ኣብታ በዓቱ ኣትያ ርኢናያ ኢና በልዎ። ኣብዚ ግዜ እዚ ኣቡነ መቃርዮስ ናይቲ ንነዊሕ ግዜ ክዛረብዎ ዝጸንሑ እሞ ከኣ ብኣካል ኣብ በዓቱ ኣትያ ርኢናያ ስለ ዝበልዎ ክኣይድ ግዲ ምስኮኖ፣ ኀኡሉ ማኅበር ኣኪቡ ተተሓሒዞም ናብታ በዓቲ ከዱ። ኣብቲ ከባቢ በዓቲ ምስበጽሑ በሉ ኣነ ቅድም ኣቐዲመ ክኣቱ ሽዑ ንሰኻትኩም ትመጹ ኢሉ ነገሮም። ኣቡነ መቃርዮስ ምእንቲ ክዳለው “እሕሕ እሕሕ” ብምባል ማዕጾ ኪሕኩሐ። እቶም ኣብ ውሽጢ በዓቲ ዘለዉ ሰባት ከኣ ተዳለዉ ማለት ኣባ ማሚጦስ ነታ ጓል ብቅርጫት (ብኣርቃይ ዝተሰርሐ) ጌሩ ኣብ ሓደ ይሓብኣ እዩ ዝበሎ ቦታ ኣብ ውሽጢ እቲ በዓቲ ሓብኣ። ኣብዚ ግዜ እዚ ኣቡነ መቃርስ ኣቡነ መቃርዮስ ናብ ኩሉ ዝኸዶ ቦታ ሒዝዋ ዝጐዓዝ መንጸፍ ዓባይ ኣገ።ዛ ነበረቶ። ነታ ጓል ኣብ ርእሲ እታ ቅርጫት በታ ኣገ።ዛ ጌሩ ሸፊኑ ኣብ ርእሲኣ ኣቐዲሙ መጺኡ ኮፍ ብምባል ኀኡላቶም ነቶም ምስኡ ዝመጹ እተዉ እሞ ርኸብዋ በሎም፣ ንሳቶም መጺኦም እንተ ደለዩ ክረኽብዋ ኣይከኣሉን። በዚ ፈሺሎም እቶም ከሰስቲ ነናብ በዓቶም (ናብ ገዳም) ተመልሱ። ኣቡነ መቃርዮስ ኣነ ክተርፍ እየ ንሰኻትኩም ሕለፉ ኢሉ ኣገ።ዛ ኣንጺፉ ኣብ ልዕሊ እታ ጓል ኮፍ ኢሉ ምስ ኣባ ማሚጦስ ወዱ ከምዚ ኢሉ ክዘራረብ ጀመረ “ማሚጦስ ወደይ ከመይ ኣሎኻ፣ ኣቦታችን ደሓን እየ ብናትካ ጸለዮት፣ ብናይ እግዚኣብሔር ለውሃት ጾር ጠፊኡለይ በለ። ንሰኻ ኸ ደሓን ዲኻ፣ ኣቡነ መቃርዮስ “ኣነ ወዲ 80 (፹) ዓመት ከሎኹ ጾር ይጻወተለይ ኣሎ“ በለ። ደሓር ግና “**ኦ ወልድየ ማሚጦስ ፍታሕ በርእስከ እምቅድመ ይፍታሕ ብከ እግዚኣብሔር**” እቲ ኩሉ ገጋኦም ምስታ ጓል ኮይኖም ነገርዎ፣ ንሱ ኣረዲኡ ምሂሩ ኣነሥሐም፣ ተነሚሐም ጸደቑ። ኣቡነ መቃርዮስ ነዚ ጌሩ ካብቲ በዓቲ ክወጽእ ከሎ “ዕፀው ወኣእባን መቃርዮስ ኮነ ኣምላከ በዲበ ምድር፣ መቃርዮስ ኮነ ከሃሌ ከመ ኣምላኩ” ብምባል ኣመስገንዎ። (ተስእሎ ፻፲፱) ተስእሎ ፻፲፯ ኣቡነ መቃርዮስ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ዓቢ ታሪኽ ዘመዝገበ ኣቦ እዮም። ስለ ክብሪ ሥጋኡን ደሙን ኢሉ ሓንቲ መዓልቲ ምስ ቁረበ ንሱሳ (፷) ዓመት ዝኣኽል ምራቑ ጡፍ ከይበለ ምስ ሰብ ከይተዛረበ ጸንሐ። (ኣኮኑ መቃርዮስ ለኣጠይቆ ፷ ዓመተ ኢተፍአ ምራቆ” ከምዝብል ደራሲ መልክዓ ቀሮባን።

**ምንጪ፣ ፊሊክስዮስ ገጽ ፷፬ ክፍል ፲**
**የቅዱሳን ታሪክ ገጽ 44 5ይ ሕትመት የካቲት ፲፱፻፺፷ ዓ.ም.ግ.**

✠ ✠ ✠

## ሓጺር ታሪኽ ናይ ኣባ ጳኩሚስ ሠራዒ ማኅበር

ጳኩሚስ ማለት ሱታፌ መንፈሳውያን ማለት እዩ። ሃገሩ ግብፅ (እስክንድርያ) ከይኑ ምንኩስና ብኢድ ኣባ መቃርስ

ተቐበለ። አቡነ ጳኩሚስ ንአቡነ አረጋዊ ኣመንኩሶ። ብ6 ሽሕ መነኮሳት ተመሪጹ ኣበምኔት ናይ ገዳም ኰይኑ ብጽቡቕ የመሓድር ነበረ፡ ሓረግ ትውልዱ፡ እንጦንስ ንመቃርስ፡ መቃርስ ንጳኩሚስ፡ ጳኩሚስ ንጸላሞን፡ ጸላሞን ንቴዎድሮስ፡ ንቴዎድሮስ ንኣረጋዊ።

**<u>ገለ ካብ ዝገበሮ ተኣምራት ብኽፊል፡-</u>**

ኣባ ጳኩሚስ ኣብ በዓቱ እንከሎ ሓንቲ ሰበይቲ ፪(100) ኣጋንንቲ ሓዚሮምዋ ክትጭነቕ ረኣያ። ካብ ሓልዮት ዝተላዕ ለ እዞም ከም ናይ ቆፎ ንህቢ ዝኾነ ብዝሑም ኣጋንንቲ ነዛ ብተፈጥሮኣ ድኽምቲ ዝኾነት ሰበይቲ የሸግሩዋ ኣለዉ እሞ ናባይ ኣምጽኣዮም ኢሉ ንኣምላኽ ለመኖ። ከምኡ ከኣ ኮነ። ነዞም ኩሎም ኣጋንንቲ መንጸፉ ኣንጺፉ ብትዕግሥቲ ተቐበሎም።

ሽዑኡ እቶም ኣጋንንቲ ናብኡ ዓሰሉ ግን ኀኽሓድሩ ስለ ዘይጠዓሞም “ኀኺድ ኀኺድ” ኢሎም ተዘራረቡ። ከምዚ ክብሉ እንከለዉ ምስ ሰምየም “ተቐመጡ እባ ናበይ ክትከዱ ድኣ” በሎም። ንሳቶም ንሕና ደስ ኣይበለናን። ብሓዊ እናተለብለብና ድኣ ከመይ ኢልና ክንቅመጥ፡ ኢሎም በሪሮም በሪሮም ከዱ። ኣባ ጳኩሚስ ኣብ ናይ ኣቦና ኣዳም መቓብር ብዘይ ምንቅስቓስን ፷(60) መዓልቲ ጸሎት ምስ ገበረ ካብ ሰማይ ብርሃን ወረደሉ።

ብትምህርቱ ንዓለማውያን፡ ንመነኮሳት፡ ንነገሥታት ዝገሰጸን ዘረድኣን ኣቦ እዩ። ሥርዓተ ብሕትውና መጀመርታኡ እኳ ብዮሓንስ መጥምቅ እንተኾነ። ኣባ ጳኵሚስ ከኣ ነዚ ሕጊዚ ሕጊ ሠሪዉ ኣብ ግብሪ ከምዝውዕል ገበረ። እዚ ሎሚ ሥርዓ ተ ማኅበር ኣብ ገዳማት ዝርከብ ሓድነት በዚ ባሕታዊ እዚ ዝተጀመረ እዩ።

ከምኡ እውን ፈላሲ ገጽ ሰበይቲ ከይርኢ። ፈላሲት ከኣ ገጽ ሰብኣይ ከይትርኢ፡ ብውግዘት ፈልዩ ዘመሓላላፈ ኣቦ እዩ። መነኮሳት ካብ በዓቶም ከይወጽኡ፡ ሽመት ከይሽየሙ፡ ሠርዐ ማለት ካብ ኣበምኔት ክሳብ እቲ ዝተሐተ ናይ ገዳም ምሕደራ መሥረተ።

**<u>ኣባ ጳኩሚስ ብትምክሕቲ ከምዝተፈተነ</u>**

ኣባ ጳኩሚስ ሰብ ከም ምኻኑ መጠን ከምቲ ናይ ኣቡነ እንጦንዮስን መቃርዮስን ብብዝሒ ጸሎቱ ትምክሕቲ ነበሮ። ንሱ ከኣ ሓደ ለይቲ ክሰግድ ከሎ ብርሃጹ ነቲ ቆይሙሉ ዝነበረ መሬት ኣርሓሶ (ኣተርከሶ)። ጐይታ ተገሊጹ ሕጂ እዚ ኩሉ ስግደት ንመን ኢልካ ኢኻ እትሰግዶ ዘለኻ፡ በሎ። ንሱ ጐይታ ንዓኻ ኢለ እየ በሎ።

ንጽባሒቱ ጐይታ ብሽንካር ተሸንኪሩ፡ ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ተራእዮ። ኣባ ጳኩሚስ ንጐይታ ኣብዚ መስቀል ንመን ኢልካ ኢኻ ተሰቒልካ በሎ። ጐይታ ንዓኻ ኢለ እየ በሎ።

ኣባ ጳኩሚስ ነቲ ትማሊ ዝበሎ መረድኢ ምኻኑ ተረዲኡ እዚ ኩሉ ቡቲ ትማሊ ዝተዛረብክዎ እዩ። ስለዚ ኣነ ጽቡቕ ኣይመለስኩሉን ኢሉ ተነሥሐ። ክጽሊ እንከሎ ኩሉ ግዜ ገኑትን ሲኦልን ብዓይኒ ልቡና ይርኢ ነበረ። ኣብ ሓሳባቱ ገኑትን ሲኦልን ክርኢ ይምነ ነበረ፡ እሞ ዝተኣዘዘ መልኣኽ መጺኡ ጻድቓን ኣብ ገነት ኮይኖም ከመስግኑ፡ ኃጥኣን ከኣ ኣብ ሲኦል ኮይኖም ዋይ ዋይ ክብሉ ከለዉ ኣርኣዮ። ድሕሪ እዚ ምሉእ ሕይወቱ ስለ ኃጢኣተኛታት ይሓዝንን ይበክን ነበረ።

## <u>ዕረፍቲ ኣቡነ ጳኵሚስ</u>

ግዜ ዕረፍቱ ምስ ኣኸለ ጐይታ ባዕሉ ወሪዱ ኃዘንካ ርእየልካ ኣሎኹ። ዝለመንካዮ ኩሉ ሰሚዔካ ኣሎኹ፡ ብስምካ ንዝተማሕፀነ ኩሉ ካብ ሞተ ነፍስ፡ ካብ ርደተ ገሃነም፡ ከድሕኖ እየ ኢሉ ተስፋኡ ነገሮ። ን፬ (40) ዓመት ኣበምኔት ገዳም ኮይኑ ነበረ። ብዙሓት ገዳማት መሥረተ። ኀኹሉ ገዳም ኣስዋን ከኣ እናኸደ የመሓድሮ ነበረ።

***ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።***

- ሰላም ለጳኩሚስ ለዘደቂቆ ባረከ፡
- ወረሰዮሙ ይኩኑ ከመ እምሰብእ ኣምላከ፡
- ለመልዕክተ ተስፋ ይትቀነይ ዘኢኮነ በከ፡
- ኢገብረ ኣግዕነ ለእራኃ እግሩ ተውሳከ፡
- እንዘ በገዳም ይከይድ ኣሥዋከ፡

◆ ◆ ◆

## ታሪኽ ጻድቕ አቡነ በብኑዳ

አቡነ በብኑዳ ትውልዲ ሃገሩ ግብጻዊ ኮይኑ ኣውራጃኡ ወይ ዞባኡ ከኣ ዳነደራ ትብሃል። ብፍላይ ናይታ ናቱ ዓዲ ስም ከኣ ኣልሳራዳ ኣብ ዝተባህለ ዓዲ ዕለት ፳(20) መስከረም ተወልደ። ብሕፃንነቱ ናብ ገዳም ኣትዩ መንኰሰ። ናይ ብዙሓት መነኰሳት ኣበምኔትን ታላፍን ኮይኑ ክነብር እንከሎ ናይ ቀረባ ወዱ አቡነ ኪሮስ (ዲለሶር) ነበረ።

አቡነ በብኑዳ ኣብ መበል ፲፫(13) ዓመቱ መንኰሰ። ካብ ብዝሒ ጽድቂ ዝተላዕለ ካብ ሰማይ ፍሉይ ምግቢ ሰርክ ይወርደሉ ነበረ። እቶም መነኰሳት ግን ነዚ ስለ ዘይፈልጥዎ ምግቢ ዝበልዕ ኣይመስሎምን ነበረ። ሰይጣን ነዚ ኩሉ ጽድቂ ርእዩ ቀኒኡሉ። ልክዕ ከም ሓደ ፈላሲ ተመሲሉ የሕድረኒ ኢሉ ናብ በዓቱ ኣተወ። ኣባ በብኑዳ ከኣ ቃል ወንጌል ክፍጽም እቶ ኢሉ ከም ጋሻ ተቐቢሉ ካብቲ ካብ ሰማይ ዝወረደሉ መና ክበልዕ ግዲኡ ሃቦ። እቲ ሰይጣን ዝበልዕ ዘሎ መሲሉ ብጉያ ከይዱ ነቶም ተኣኪቦም ዝነበሩ ፈለስቲ ኣቦኹም ምግቢ ዘይበልዕ ይመስለኩም እምበር ዝምገቦስ ከምዚ እዩ ረኣይዎ ኢሉ ኣውጽእ ከብሎ እንከሎ ዮናኤል መልእኽ መጺኡ መንጢሉ ወሰዶ።

ድሕሪኡ እቲ ዝወርድ ዝነበረ መና ኣቋረጸ። ምኽንያቱ ስለምንታይ ከይመርመርካን ከየማዕተብካን ነቲ ጋሻ ተመሲሉ ዝመጽኣካ ሰይጣን ትቕበሎ ብምባል እዩ። ኣባ በብኑዳ በዚ ምኽንያት እዚ ብኣንበሳ ተሰቢሩ ከምዝመውት ኮነ። ኣባ ኪሮስ ወጺኡ ጸኒሑ እንተመጸ ነቡኡ ኣባ በብኑዳ ኣንበሳ ሰቢርዎስ ኣብ ጐድኑ ተቐሚጡ ጸንሐ። ነቲ ኣንበሳ ከይፈርሐ ብጉያ ከይዱ ደወል ደዊሉ መነኰሳት ኣኪቡ ነቡኡ ቀቢሩ ኣብ መንገዱ ክኸይድ እንከሎ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ሞይቱ፣ እናተበልዐ እናተሰትየ እቲ ቐብሪ ብኽብሪ ኣንጸባሪቑ ረኣየ። ተገሪሙ ኣየ ጐይታ! “ነቶም ንሻኻ ፈትዮም ብጥሜትን ጽምእን ዕርቃንን ዓለም ዝመነኑ ብሕማቕ ኣመዋውታ ክትቀትል፣ ነቶም ንሻኻ ዝጸልኡ ዝነበሩ ከኣ ሞቶም ይጽብቐሎም፣ እዚ እዩ ፍርድኻ፡” ኢሉ ከይዱ ኣብቲ መቓብር ተደፊኡ ንዓ (40) ዓመት ደቀሰ ሸዑ ኣብ ዝባኑ ሳዕሪ ክሳብ ዝበቑል ኮነ። ድሓር ግን መላእኽቲ ካብ ዝወደቐ ኣተንሢኦም ኣቡኡ ዘለዎ ጽቡቕ ቦታ ገነት ኣርኣይዎሞ ተሐጐሰ። ንኣምላኹ ከኣ ኣመስገነ።

### ቃል ኪዳን

- እግሩ ዝሓበጠ ካብ ጸበሉ ዝተሐጽበን ዝሰተየን ዝተለኽየን ይሓዊ።
- ንኣንበሳ ብስም አቡነ በብኑዳ እንተወጊዝካዮ ኣይነክስን እዩ።

ናይ አቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስን፣ አቡነ ኪሮስን ናይ ኣባ ዮሓኒ ገድልን ብሰፊሑ ታሪኽ አቡነ በብኑዳ ይገልጹ እዮም። ***ጸሎቱን በረኽቱን ምሰ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።***

ምንጪ፡-

1. ታሪኽ ቅዱሳን 1ይ ክፋል 1997 ዓ.ም.
2. ስንክሳር

◆ ◆ ◆

## ሓጺር ታሪኽ ጻድቕ ቅዱስ አቡነ ኪሮስ (ዲላሶር)

ኣቡነ ኪሮስ ስም አቡኡ ንጉሥ ኣብያ (ዮናን) ኣዲኡ ሜናሴር (አንሰራ) ይበሃሉ። ሃገሩ ግብጻዊ ኮይኑ ዕለት 8 (፰) ታሕሣሥ ተወልደ፣ ዓቢ ሓዉ ቴዎደስዮስ ይበሃል። ንአቡነ ኪሮስ (ዲላስር) ቀዳማይ ስሙ ዲላሶር እዩ ዝብሃል ነይሩ፣ ደሓር ግን ኪሮስ ተባሂሉ፣ ክልቲኦም ማንታ እዮም። ኣቡኡ ምስ ሞተ ግዲኡ ካብ ቴዎደስዮስ ሓዉ ተማቒሉ ንድኻታት መጽዊቱ ዓለም መኒኑ ናብ ገዳም ከደ። አቡነ ኪሮስ ኣባ በብኑዳ ናብ ዝተባህለ ባሕታዊ ዘለዎ ቦታ ምስ ከደ፣ ቴዎድሮስ ግን ሥርዓተ መነኮሳት ሒዙ ነጊሡ ይነብር ነበረ።

አቡነ ኪሮስ ከኣ ሥርዓተ ገዳማት ተማሂሩ፣ ኣብ መበል ፲፯ (17) ዓመቱ ብኣባ በብኑዳ መንኰሰ። ደሓር ኣብ ሓንቲ ናይ ምድረ ግብጺ ነቦ ከይዱ ተቐመጠ፣ ብጾም፣ ጸሎት፣ ስግደት፣ ብብሕትውና ይነብር ነበረ። ድሕሪኡ ምስ አቡነ በብኑዳ ብሓደ ሃቢሮም ክቕመጡ እንከለዉ፣ ካብ ሰማይ ብቅዱስ ሚካኤል ዝወረደ መንፈሳዊ መግቢ መና ይበልዑ ነበሩ።

ሓደ ግዜ ብኣምሳለ ኣረጊት መነኮስ ተመሲሉ ሰይጣን ከሕድርዎ ናብ ኣባ በብኑዳ መጽአ። ንሶም ከኣ ተቐቢሎም ካብቲ ካብ ሰማይ ዝወረደ መንፈሳዊ መግቢ ሃብዎ። ንሱ ኑቲ ሰማያዊ ምግቢ ሒዙ ናብቶም እኩባት ዘለዉ መነኮሳት፡ “ንእኒ በዓል ኣባ በብኑዳ፡ ኣባ ኪሮስ፡ ነዚ እናበልዑ ኢኹም ባሕተውቲ እትብልዎም ኑቶም ሕዝቢ ከርእዮም ኢሉ ክፍት ከብላ እንከሎ ዮናኤል መልኣከ እግዚኣብሔር መንጢሉ ንሰማይ ወሰዳ። *“ኢተሃሉ ቅድሳተ ለክለባት”*።

አቡነ በብኑዳ በዚ ጌጋዚ ምኽንያት ብኣንበሳ ተሰቢሩ ከምዝመውት ኮነ። አቡነ ኪሮስ ወጺኡ ጸኒሑ እንተመጽአ ነቡኡ አቡነ በብኑዳ ኣንበሳ ሰቢርዎስ ኣብ ጐኑ ተቐሚጡ ጸንሐ። ኑቲ ኣንበሳ ከይፈርሀ ብጉያ ከይዱ ደወል ደዊሉ መንኮሳት አኪቡ ንአቡነ በብኑዳ ቐቢሩ፡ መንገዲ ክኸይድ እንከሎ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ሞይቱ እናተበልዐ፡ እናተስትየ፡ ጥይት እናተተኮሰ እቲ ቀብሪ ብኽብሪ ደሚቑ ረአየ፡ ተገሪሙ ኣየ! ጐይታ “ነቶም ንሻኻ ፈትዮም ብጥሜትን ጽምእን ዕርቃንን ቁርን ዝቐበሉ ዓለም ዝመነኑ ናብራኦምን ኣመዋውታኦምን ብሕማቕ። እቶም ንሻኻ ዝጸልኡ ኣብ ዓለም ዝነብሩ ግና ሞቶም ይጽብቕ፡ እዚ እዩ ፍርድኻ” ኢሉ ከይዱ ኣብቲ ናይ ኣቡነ በብኑዳ መቓብር ተደፊኡ እዚ ታሪኽ'ዚ ኣምላኽ ምእንቲ ክገልጸሉ (40) ፵ ዓመት ወደቐ፡ ፴፫ (33) ካብ ክሳዱ ንላዕሊ እናተንቐሳቐሰ እዩ፡ እተን ሸውዓተ ዓመታት ግን ብዘይምንቅስቓስ እዩ። ሽዑ ሕቐኡ ሮማዊ ሳዕሪ በቐሎ ሸውዓተ ዓመታት ጸንሐ። መላእኽቲ መጺኦም ተንሥእ እንተበልዎ ኣቦይ ኣዳም ናይ ፍጡር ቃል ሰሚዑ ወዲቑ ሕጂ ከኣ ጐይታይ ድምጽኻ ኣስምዓኒ በለ። ድሓር ግን ኪሩቤል ኣልዒሎም ወሲዶም ገነት ኣርእዮም መለስዎ። ማለት ኣባ በብኑዳ ኣብ ጽቡቕ ምህላዉ ኣርእዮምዎ እዮም። በዚ ከኣ ኣዝዩ ተሓጉሱ ንኣምላኽ አመስገነ።

እዚ አቦ'ዚ ናይ'ቲ ርቱዓ ሃይማኖት ቀዳማይ ቴዎዶስዮስ ሓዉ እዩ። ወዲ ንጉሥ ክንሱ ክርአ አይበለን። ብዙሕ ሰብ ክፈልጠን ከኽብሮን ምኻኑ ብምርዳእ ጸላኤ ሠናያት ይቕንእ ስለ ዝነበረ ከምዝጠመየን ዝብላዕ ከምዝደለየን መሕደሪ ከምዝሰኣነን ኮይኑ እኻ እንተፈተኖ ንሱ ግን ይፈልጠ ነበረ። ከምታ ምስ ኣቦይ በብኑዳ ከሎና ዝተፃወተለይ ኣነ ከኣ ከይተጸወትኩሉ ኣይነብርን እየ ኢሉ እናተጸበዮ ከሎ ከም ልማዱ ንኽፍትኖ ቤቱ ኳሕኳሕ ኣቢሉ መስዩኒ አሕድሩኒ በሎ። ንሱ ሰይጣን ምኻኑ ፈሊጡ ናብ ውሽጢ እቶ ኮፍ በል ኢሉ ንሱ በል መጻእኩ ኣብዚ ጽንሓኒ ኢሉ ንደገ ወጺኡ ነታ በዓቲ ብስም ጐይታ ባረኻ እሞ ተሐትመት። እቲ ሰይጣን ኡይ ክብል ገደፎ። እዚ ሰይጣን እዚ ክሳብ ሎሚ ኣብኣ ተዓጽዩ ከም ዘሎ መጽሓፈ ገድሉ ይሕብር። ኩሉ ኣብ ዕለት ዕረፍቲ አቡነ ኪሮስ ማለት ዕለት 8 (፰) “**ኣባ ኪሮስ ኣውጽኣኒ፡ ኣባ ኪሮስ ኣውጽኣኒ**” ዝብል ድምጺ ይስማዕ።

ነዚ ሓቀኛ ገድሊ አቡነ ኪሮስ ዝጸሓፎ <u>ኣባ ባውማ</u> እዩ። ከምኡ እውን ኣብ ዕለት ሞት አቡነ ኪሮስ ንሥጋ ኣቡነ ኪሮስ ክቐበር ብመንፈስ ቅዱስ ተኣዚዙ ከይዱ ስለ ዝነበረ ብሓባር እውን ተቐሚጦም ስለ ዝነበሩ ታሪኽ ገድሊ አቡነ ኪሮስ ክጽሕፍ ከኣለ።

ኣብቲ ታሪኽ ክጽሕፍ ክጅምር እንከሎ ከምዚ ይብል “ኣብ ዝነበርኩሉ ቤተ ክርስቲያን ንበይነይ ተቐሚጠ እንከሎኹ ካብ ሰማይ ሓደ ቃል ሰማዕኩ። እቲ ቃል ከኣ ዘፍርህን ዘርዕድን ነበረ። ከምዚ እውን በለኒ ኣባ ባውማ ካብ ብዙሓት ቅዱሳን ዝበለጸ፡ ፍቕደይ ዝፈጸመ፡ ዝሞተሉ ግዜ ስለ ዝኣኸለ ተንሢእካ ናብ ገዳም ኪድ በለኒ።” ኣነ ከኣ ኣምላኽ ነዚ ክብሪ እዚ ስለ ዝሓረየኒ ባህ በለኒ። ተንሢአ እውን ኑቲ ርሑቕ ጕዕዞ ዘለዎ መንገዲ ሠለስተ መዓልቲ ተጓዓዝኩ። ኣብ ሓደ ገዳም በጺሐ፡ ድሕሪ ብዙሕ ኮለል ማዕጾ ገዳም ኳሕኳሕኩ ሽዑ ሓደ ዓቢ ገዳማዊ መነኮስ ማዕጾ ከፈተለይ። ብልማድ ኣበው ነንሓድሕድና ኢድ ነሢእና ሰላምታ ተወሃሂብና፡ ከምዚ ኢለ ከኣ ሓተትክዎ። ምእንቲ ንዝተዋህበኒ መልእኽቲ ከረጋግጽ ኣብዚ ገዳም እዚ ክንደይ ተቐሚጥካ በልክዎ ንሱ ፷፯ (67) ዓመት በለኒ። ዝተለኣኽዎ ቦታ ከምዘይኮነ ተረዲኡ ክሳብ ናይ ሠለስተ መዓልቲ መንገዲ ቀጸልኩ። ካልእ እውን መናኒ መነኮስ ረኸብኩ። ስሙ እውን <u>ኣባ ስምዖን</u> ይብሃል። ኢድ ነሢእ ኣብ ገዳም ብጀካኻ

ካልእ ገዳማዊ ኣሎዶ ኢለ ሓተትክዎ ንሱ እውን እወ ኢሉ ናብ ካልእ ጽቡቕ ጫካ ናብ ዘለዎ በረኻ ሓበረኒ። ገለ ቁሩብ ምስ ኣፋነወኒ ከኣ ተመሊሰ። ናይ ኣርባዕተ መዓልቲ ጉዕዞ ተጓዓዝኩ። ናይ ሮማ ገዳማውያን ኣብ ሓደ ኣይእከቡን እዮም። ፋሕ ኢሎም እዮም ዝነብሩ። ኣብ ሓደ ውሱን ቦታ ኣይቕመጡን እዮም።

ኣብ መወዳእታ ጉዕዞይ ኣብ ገዳም ኣቡነ ኪሮስ በጻሕኩ። ማዕጾ ኳሕኳሕ ኣቢለ ቅዱስ ኣቦይ ባርኸኒ በልኩ። ንሱ ከኣ ኣንታ ናይ እግዚኣብሔር ሰብ ኣባ ባውማ ሎሚ ናባይ ምምጻእካ ጽቡቕ እዩ በለኒ። ምክንያቱ ዕረፍቱ ከምዝበጽሐ ስለ ዝፈልጥ። ብሰላም እቶ ኢሉ ማዕጾ ከፈተለይ። ኢድ ነሚአ በረኸት ተቐቢለ ኣቖኹ። ኣቡነ ኪሮስ ክርእዮ ከለኹ ገጹ ከም ፀሐይ ይበርህ ነበረ። ፀጋ እግዚኣብሔር መሊእዎ ረኣኹ። ዓቢ ኣረጋዊ መልክዐኛ እዩ ነይሩ። ጸጉሪ ርእሱ ከም በረድ ፃዕዳ ነበረ። ርእሰይ ስዒሙ ነዛ ዝተባረኽትን ዝተቐደሰትን ሰዓት ንሻጥ ዝለኣኽለይ መዓልቲ ዕረፍተይ እጽበ ነበርኩ። እነሆ ኣብዚ ገዳም'ዚ ካብ ዝቕመጥ ፵፪ (42) ዓመት ጌረ ኣሎኹ።

ንጽባሒቱ ኣቡነ ኪሮስ ሓሚሙ ደቀሰ፣ በታ ለይቲ እቲኣ ኣነ'ውን ብስምባደ ሓሚመ ሓዲረ። ኣብ ኣጋ ምውጋሑ ኣብ ውሽጢ በዓቱ ዓቢ ብርሃን በርሀ።

ኣነ ተቐሚጠ እንከሎኹ ብርሃን ዝለበሰ፣ ናይ ብርሃን መስቀል ዝሓዘ ሰብ ናብ ውሽጢ ኣትዩ ኣብ ልዕሊ ቅዱስ ኣባ ኪሮስ ኣንበሮ። ኣባ ኪሮስ ኢድ ነሥኣ። እቲ ብርሃን ዝለበሰ ኣጸናኒዑ፣ ኣረጋጊኡ፣ ሰላመይ ምሳኻ ይኹን ኢልዎ ተሠወረ። ኣነ ነዚ ርእየ ፈራህኩ። ንኣባ ኪሮስ እዚ ዝመጽኣ ሰብ መን እዩ፡ በልክዎ። "ወደይ እዚ ዝረኣኻዮ ዓቢ ሰብ ወዲ እቲ ሕያው እግዚኣብሔር ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ በለኒ። በብመዓልቱ ኣብ ትሽዓተ ሰዓት እናመጸ እዩ ዘረጋግኣኒ በለኒ። ኣነ ከኣ ብፍርሃት ተወሓጥኩ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ናብ ሰማይ ዝበጽሕ ድምጺ ኣውያት ሰማዕኩ፣ ኣኽራናትን ጐቦታትን ተናወጹ። ንኣባ ኪሮስ ከኣ "ኣቦይ እዚ ዝሰምየ ዘሎኹ ድምጺ ድኣ እንታይ እዩ፡ ዝወደይ እዚ እትሰምየ ዘሎኻ ድምጺ ናይቶም ኣብ ሲኦል ዘለዉ ኃጥኣን ድምጺ ኣውያት እዩ" በለኒ። ንዓይ ከኣ ኣብ ጥቓ ሲኦል ከምዘሎኹ ኮይኑ ተሰምዓኒ። ብምቕጻል እውን ካብ ቀዳም ሰዓት 9 (፱) ጀሚሩ ክሳብ እሁድ ፀሐይ ትዓርብ ስለ እታ ቅድስቲ መዓልቲ ትንሣኤኡ ኢሉ ንኃጥኣን ካብ መከራ ኣዕረፎም። ንሳቶም እውን ንኣምላኾም የመስግኑ። ስለዚ እዩ ከኣ ኣብ ዕለተ ሰንበት ዘዕርፎም በለኒ። ኣነ'ውን ኣዝየ ካብ ቅድም ንላዕሊ ተደነቕኩ።

በዚ ዕለት'ዚ ንኃጥኣን ዕረፍቲ ስለ ዝሃቦም ከኣ ኣመስገንክዎ። ቁሩብ ምስ ጸናሕና ኣባ ኪሮስ ብዓቢ ድምጺ "ኣቦይ ኣቦይ" እናበለ ጨደረ። ኣነ ዘይፈለጥኩ እምበር ኣብ ሃገር ግብጺ ሓደ ዓቢ ኣቦ ስለዝዓረፈ ፈሊጡ እዩ ዝጨደረ። ኣብ ሃገረ ግብጺ ሎሚ ዓቢ ዓንዲ ወደቐ ከኣ በለ። ንሱ'ውን ንገዳማውያን ዝሓትትን ዘገልግልን ዝርእን ኣባ ሲኖዳ እዩ በለ።

በዛ ለይቲ እዚኣ ኣባ ኪሮስ ካብ ብርትዐ ሕማሙ (ቃንዛኡ) ዝተላዕለ ሰምበደ። ኣብ ውሽጢ ገዳም ከኣ ዓቢ ብርሃን ኮነ ጐይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ዳግማይ ኣብ ጥቓ ኣባ ኪሮስ ተቐመጠ። ኣባ ኪሮስ ከኣ ከምዚ በለ "ኦ ጐይታ ካብ ርሑቕ እዩ መጺኡ" በሎ። ንሱ ከኣ ፍትወይ ኣጆኻ ጽናዕ፣ ኣይትፍራህ በረኸተይን ፍጹም ሰላመይን ከኣ ምሳኻ ይኹን። ቅድሚ ሕጅን ድሕሪ ሕጅን ዝረኣኻዮ ናይ ቅዱስ ኣባ ኪሮስ ታሪኽ ጸሐፍ በለኒ። ንኣባ ኪሮስ ከኣ ከምዚ በሎ ብሞት ኣባ ሲኖዳ ኣይትሕዘን፣ ንሰኻ እውን ዕረፍትኻ ቀሪቡ እዩ። ናትካ ሞት፣ ሞት ዘይኮነስ ሕይወት እዩ።

## ዝተቐበሎ ቃል ኪዳን

ገድልካ ዝጸሓፈ ዘጽሓፈ፣ ዘንበበ፣ ዝሰምዐ ዝኽረኻ ዝገበረ ዕድሉ፣ ምሳኻ ክገብሮ እየ። ስለ ስምካ ዕጣን፣ መብራህቲ ዝሃበ ኣብ መንግሥተ ሰማያት ዕጽፊ ክህቦ እየ ኃጢኣቱ ክድምስሰሉ እየ፣ ኣብዚ ዓለም'ዚ ብሥናይ ነገር ዋላ ሓደ ከይጐደሎ ምስ ቤተሰቡ። ውላድ ዝሰኣነ እውን ብስምካ እንተለሚኑ ክህቦ እየ። ጐይታ እናተዛረበ እንከሎ ነቢይ ዳዊት መሰንቁኡ እናወቐዐ መጽአ፣ "እዛ ዕለት እዚኣ እግዚኣብሔር ዘዳለዋ እያ፣ ብእኣ እውን ፍጹም ንተሓጐስ።

እንሆ ነቢይ ዳዊት ክዝምረልካ መጺኡ ኣሎ በሎ። ዳዊት እውን በየናይ ዓይነት ይሕሸካ ብቀዳማይ ዶ ብዓስራይ፡ በሎ። ንሱ ኀኹላተን ክሰምዐን እደሊ እየ በሎ። ከምዚ ኢሉ ከኣ ክዝምር ጀመረ “ኣማውታ ናይ ጻድቕ ሰብ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ክቡር እዩ”። ***“ወርዘውኩሂ ወረሳዕኩ ወኢርኢኩ እንዘ ፈይትታንል ጻድቅ”*** እንሆ ናይ ኣባ ኪሮስ ነፍስ ብኢዱ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣኽቢርካ ሓዛ ኢሉ ንቅዱስ ሚካኤል ሃቦ። ኣነ ኣባ ባውማ ኣስከሬን ቅዱስ ኣባ ኪሮስ ሓምሌ ዕለት ፰ (8) ቀቢረ ካብቲ ገዳም ምስ ከድና ጐቦታት ኣኽራናት ብመላእኽቲ፣ ሠራዊት መላእኽቲ ተመሊኡ ረኣኹ። ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ'ውን ኣብ ልዕሊ መቓብሩ መስቀል ኣልዒሉ ባረኸ። ንዓይ'ውን ሰላም ንሳኻ ይኹን ኢሉ፣ ናብ ሰማይ ዓረገ ኣነ <u>ኣባ ባውማ</u> ከኣ ድሕሪ'ዚ ናብ ገዳም ኣባ ኣሞን ናይ ሠለስተ መዓልቲ ተጓዒዘ በጻሕኩ። እቲ ዝተራእየንን ዝተፈጸመን ኮነ ንዕኡ ነገርክዎ። ኣዝዩ ከኣ ሓዘን ተሰምየ። ናብ ገዳም ኣስቄጥስ መገዲ ሠለስተ መዓልቲ ከይደ ኀኹሎም መነኮሳት ነገርኩዎም፣ ገድሊ ኣባ ኪሮስ ጽሒፉ ናብ ኩሉ ገዳማትን ኣድባራትን ልኣኽኩ።

***ንኣባ ኪሮስን ኣባ ባውማ ጸሎቶምን በረኽቶምን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።***

- ሰላም ለኪሮስ ዘሰዓመ ነደ በከናፍር፣
- ወዘባኑ ተጽዕነ እግዚኣብሔር፣
- ከመ ትፃዕ ነፍሱ ዘእንበለ ፃዕር፣
- ዳዊት ኃለየ እንዘ ይብል በመሰንቆ ሐዋዝ መዝሙር
- ለጻድቅ ብእሲ ሞቱ ክቡር።

◆ ◆ ◆

## <u>ታሪኽ ጻድቅ ቅዱስ ኣቡነ ወቅሪስ</u>

ቅዱስ ወቅሪስ ኣብ ዓቢይ ባስልዮስ ተጸጊው እናተማህረ ዓበየ። ክህነትውን ካብኡ ተቐበለ። ንሱ ኣብ ንእስነቱ ቅድም መልክዑ ኣዝዩ ጽቡቕን ማራኽን ብምንባሩ ንሓንቲ ሰይቲ መኰንን ኣጸቢቑ ፈተዋ። ንሳውን ከምኡ ፈተወቶ፣ በዚ ተሰማሚያም ናብ ሰብ ዘይርእዮም ቦታ ብምኻድ ፍትወቶምን ድሌቶምን ክፍጽሙ ተሰማምዑ። ለይቲ ኣብ ምድቃሱ ብዛዕባ እዚ ነገርዚ ከውርድ ከደይብ ከሎ ኣብ ሕልሙ ንሱ ኢዱ እግሩ ተኣሲሩ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣትዩ፣ ምስኡውን ብዙሓት ንዕኡ ዝመስሉ እሱራት ንነፍስ ወከፎም ሓደ ሓደ ሓላዋይ ብዝበደልዎ ተገይርሎም ረኣየ። ብልቡ ከኣ ብምንታይ ምኽንያት ደኣለይ ኣብዚ ቤትማእሰርቲ እዚ ኣትየ ተኣሲረ፣ “ለካ በታ ሰበይቲ መኰንን ክዕምጻ ዝሓሰብኩ ንሱ እዩ ከሲሱ ኣብዚ ቤት ማእሰርቲ ኣእትዩኒ” በለ። በዚ ጉዳይ እዚ ክጭነሕ እንከሎ መልኣኽ ከም ቀደም ዝፈልጦ ዓርኩ ዝነበረ መሲሉ “ኣንታ ዓርከይ ከምዚ ጌሩ ከእስረካ ዝኸኣለ ምኽንይትሲ እንታይ እዩ”፣ ወቅሪስ ካብ ሕፍረት ዝተላዕለ ክሓብኣሉ እኳ እንተደለየ ኣጸቢቑ ኣጨኒቑ ምስ ሓተቶ፣ “ኣንታ ፍትው ዓርከይ ኣነስ ንሓንቲ ሰበይቲ መኰንን ፈትየያ፣ ንሳውን ፈትያትኒስ ካብ ሰብኣያ ተሓቢእና ፍትወትና ክንፍጽም ተባሂልና ኔርና እሞ ንሱ እቲ ሰብኣያ እዩ ዝኸውን ኣእሲሩኒ ብምባል ፈሪሀ እጭነሕ ኣለኹ” በሎ። እቲ ዓርኩ ዝኾነ መልኣኽ “ዓርከይ ጥራይ ብወንጌል ቅዱስ ናብኡ ከምዘይትምለስ መሓለለይ እምበር ኣነ ክወሓሰካ” በሎ። ወቅሪስ ከምታ ዝበሎ ብወንጌል መሓለ። ካብ ድቃሱ እንተ ተበራበረ እቲ ዝረኣዮ ራእይ ሓቂ ምኻኑ ተረዲኡ ዓዱ ገዲፉ ናብ ሃገረ እስክንድርያ ከደ። ኣብኡ ንሓንቲ ጐራኒ ዝተባህለት ቅድስት ኣደ ረከባ እሞ ኩሉ ዘጋጠሞ ምስ ነገራ፣ ንሳ ነዘን ጽቡቓት ክዳውንቲ ተኸዲንካየን ዘሎኻ ደርቢኻ ካልእ ሕማቕ ክዳን እሞ ተኸደን ንእግዚኣብሔር ኣገልግሎ ኢላ ኣማኸረቶ። ድሕሪኡ ናብ ገዳም ኣትዩ ሓምሊ ጥራይ ብምምጋብ ብጾምን ብጸሎትን ብስግደትን ዝኣክል ሰብነቱ ክሳብ ዝደርቕ ኣገልገለ። ጐይታ ባዕሉ መጺኡ ካብቲ ነቒጽዎ ዝነበረ ፈወሶ። ኣጋንንት እኳ ብዙሕ ይፍትንዎን ይጻብእዎን እንተነበሩ፣ ንሱ ግና ብጾም ብጸሎት፣ ብገድሊ፣ ብለይቲ ዕራቕቱ ብምሕዳር ኣብ ግዜ ክረምቲ ዝናም ኣብ ግዜ ቀውዒ ኣሳሒታ ኣብ ግዜ ሓጋይ ፀሓይን ቁርን፣ ካብ

ኣምላኽ ጸጋ ክሳብ ዝወሃቦ ተጋደለ። መላእኽቲ እናመጹ ሰማያዊ ጎብስትን ሰማያዊ ጽዋዕን ይምግብዎ ነበሩ።

<u>ሠለስተ ድርሳናት ክደርስ ካብ ኣምላኽ ጸጋ ተዋህቦ</u>

፩/ ምእንቲ ኣብ በረኻ ዝነብሩ ባሕተውቲ፣
፪/ ስለ ሥርዓት ማኅበር ኣብ ገዳም ዝነብሩ ኣሕዋት፣
፫/ ስለ ንካህናት ዝምልከት ሰለስተ ዓበይቲ ድርሳናት ደረሰ።

ሓደ መዓልቲ ኣባ ቡላ (ኣቢብ) ናብኡ መጸ እሞ ሰላም ምስተባሃሃሉ “ኣንታ ወቅሪስ ሓወይ ንበይንኻ ኣይትቀመጥ ገለ ቁሩብ ኣሕዋት ካብ ጸብኣ ኣጋንንት ዝሕግዙኻ ምሳኻ ከምዝቕመጡ ግበር” ካብ ጸብኣ ኣጋንንት ከኣ ክትድሕን ኢኻ ምስ በሎ፣ ንሱ ከኣ ቃሉ ሰሚዑ ከምኡ ገበረ። ሓደ መዓልቲ ኣጋንንት ንኣርዮስን ንስጥሮስን ማኒን ተመሲሎም ክካትዕዎ መጹ ንሱ ብቅዱሳት መጻሕፍት በቲ ናይ ኣበው ርቱዓነ ሃይማኖትን ጌሩ ረትዮም።

## ጸድቅ ቅዱስ ወቅሪስ ካብ ዝገበሮ ተኣምራት

ሓደ መዓልቲ ናብ ቤተክርስቲያን እንተኸደ እታ ቤተክርስቲያን ብመፍትሕ ተዓጽያ እታ መዕጸዊታ መፍትሕ ከኣ ጠፊኣ ብዙሕ ክሸገሩ ምስ ጸንሕዎ ብጸለዑቱ ከም ዝተኸፍተት እዚ ቅዱስ ኣቦ እዚ “ኣቦኻን ኣደኻን ሞይቶም” ኢሎም ክነግርዎ ምስ መጽኡ ንሱ ሓሲኹም ኢኹም ኣቦይሲ ሰማያዊ ዘይመውት እዩ ዝበለ ኣቦ እዩ። ዜንኡን ብብዝሒ ዝገበሮ ተኣምራትን ኣብ መጽሓፍ ገድሉን ዜና ኣበውን ብጽቡቕ ተጋድሎ ዕድመ ጸጊቡ ንኣምላኽ ኣስሚሩ ዕለት ፲፩ (11) ጥሪ ካብዚ ዓለምዚ ናብቲ ዘይሓልፍ ዓለም ብሞት ዓረገ።

***ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።***

- ሰላም ዘወቅሪስ ሶበ ርእየ በንዋም።
- እስመ ተሐይጠ ለብእሲት ብሥነ-መልክዓ ኣዳም።
- እሳተ ኮነኔ ፍሉጠ ዘኣርኣያሁ ግሩም።
- ከመ ይእሥር ነፍሶ በማዕሠረ ጸሎት ወጾም።
- ነዋ ተናከራ ለዛቲ ዓለም።

✠ ✠ ✠

## <u>ታሪኽ ጻድቕ ብፁዓዊ ቅዱስ ኣቡነ ዘሲማስ</u>

ለዋሃትን መፍቐርቲ እግዚኣብሔርን ዝኾኑ ወለዲ ዘሲማስ ካብ ወገን ፍልስጥኤም ዝውለዱ ክርስቲያናት ነበሩ። ንቅዱስ ዘሲማስ ድማ ክሳብ ወዲ ፭ (5) ዓመት ዝኸውን ምስኦም ኣዕበይዎ። ብድሕሪኡ ግን ሕጊ ቤተ ክርስቲያን፣ ትምህርተ ሃይማኖትን ምሥጢራትን ክመሃር ንሓደ ኣረጋዊ መነኮስ ሃብዎ። እቶም ኣቦ ተቐቢሎም ጥበብ እግዚኣብሔርን ትምህርተ ሃይማኖትን ምሂሮም ኣመንኮስዎ (ናብ መዓርገ ምንኩስና ኣብጽሕዎ) ብዲቁና'ውን ተሾመ። ቅዱስ ዘሲማስ ብሠናይ ግብሪ ዓበየ፣ ትሩፋት ምስራሕ'ውን ኣብዝሐ። ንእግዚኣብሔር ብፍጹም ልቢ የመስግን፣ መዓልትን ለይትን መጽሓፍ የንብብ፣ ኣብ ጊዜ ስርሑ ይኹን ኣብ ጊዜ ዝምገበሉ ኮታስ ኩሉ ግዜ ካብ ኣፉ ምስጋና ኣቋሪጹ ኣይፈልጥን። ኣብዚ ገዳም'ዚ ፵፭ (45 ዓመት ምስ ገበረ ቅስና ተቐበለ።

ድሕሪ'ዚ ብኣገልግሎት እናተግሀ፣ ብተጋድሎ ጸኒዑ፣ ቅስና ምስ ወሰደ ን ፲ ን(13) ዓመት ኣብቲ ዘመን'ቲ ካብ ዝነበሩ መነኮሳት ብገድሉ ልዕል ልዕል በለ።

<u>ቅዱስ ዘሲማስ ብትምክሕቲ ከም ዝተፈተነ</u>

ነዚ ዝረኣየ ጸላኤ ሠናይ ኣብ ልቦናኡ ክፉእ ሓሳብ ኣሕደረሉ። ብልቡ ከኣ “ካብ ሠናይ ነገር ዘበለ ኩሉ ኣነ ዘይፈጸምክዎ እንታይ ኣሎ፡” ክብልን ክዕበን ጀመረ። ዋላ'ኳ ጸላኤ ሠናይ ኣብ ልቢ ዘሲማስ ክፉእ ሓሳብ እንተሕደረሉ፣ መፍቀሪ ሰብ ዝኾነ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብትዕቢት ክጠፍእ ስለ ዘይደለየ መልኣኹ ልኢኹ ንዘሲማስ ኣብ ጥቓ ባሕሪ ዮርዳኖስ ትርከብ ገዳመ ዮርዳኖስ ከም ዝኸይድ ገበሮ። ገዳመ ዮርዳኖስ (በረኻ ዮርዳኖስ) ብዙሓት ነቢያት ዝጸለዩላ፣ ተጋድሎ ዝፈጸሙላ፣ ከም በዓል መጥምቀ መለኮት ቅዱስ ዮሓንስ ካብ ሰብ ርሒቐም ዝነበሩላ ገዳም እያ። ኣብቲ ገዳም ምስ በጽሐ፣ ብተጋድሎ ፍጹማን ዝኾኑ ፍጹም ትሑታን ኣረጋውያን ምስ ረኣየ፣ ብምግባሩ ንሱ ካብኣቶም ኣዝዩ ከም ዝንእስ ተረድኦ። ምስኣቶም'ውን ንብዙሕ ዘመን ብተጋድሎ ነበረ።

ናይ'ቲ ገዳም መነኮሳት ዓቢይ ጾም ክኣቱ ከሎ ቀዳመይቲ ሱባዔ ምስ ጸሙ፣ ቀዳመይቲ መዓልቲ (ጾመ ቅድስት) ብዕለተ ሰንበት ካብ ቅዱሳት ምሥጢራት ይካፈሉ፣ ንጽባሒቱ ተኣኪቦም *“እግዚኣብሔር ደበርህ ሊተ ወደድህኒ፤ ምንተኑ ደፈርሐኒ”* “ እግዚኣብሔር ብርሃነይን መድኃኒየይን እዩ ካብ መን ደኣ እየ ዝፈርህ ” ዝብል ናይ ኣቦና ቅዱስ ዳዊት መዝሙር ካብ መጀመርያኣ ክሳብ መወዳእትኣ ይዝምሩ። ነዚ ወዲኡ ክወጽእ ከሎ ኣብቲ ኣፍደገ ይጽልዩሞ ነንሕድሕዶም *“ይቕረ በለለይ”* ይበሃሃሉ። እቲ ኣበመኔት ድማ ይባርኾም። ድሕሪ'ዚ ገጽ ነንሕድሕዶም ከይረኣዩ ናብ'ቲ በረኻ ፋሕ ይብሉ። ኣጋጣሚ'ኳ ሓደ ገጽ ብጸዩ እንተ ረኣየ ናብ ካልእ ቦታ ይሃድም።

ቅዱስ ዘሲማስ'ውን በብዓመቱ ምስቶም መነኮሳት ናብቲ በረኻ ይኸይድን፣ ዝጸናንዓሉ ነገር እግዚኣብሔር ምእንቲ ክገልጸሉን ዘወትር ይልምን ነበረ። ሓደ ግዜ ኣብ'ዚ ገዳም'ዚ ኾይኑ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ከንብብ ከሎ፣ ኣብ መጽሓፈ <u>ኤርምያስ</u> ብዛዕባ ብዑዓውያን ዝተነግረ ኣንቢቡ ተደነቐ። እዚ ድማ “ነቢይ ኤርምያስ መሪር ንብዓት እናበኸየ ኑቲ ሕዝቢ” ናብ እግዚኣብሔር ተመለሱ፣ ንዕኡ ጥራይ ኣምልኹን ተገዝኡን፣ እንተ ደኣ ዘይተመለስኩም ኣብዚኣ ዓለም'ዚኣ ኣብ ኢድ ጸላእትኹም ኣሕሊፉ ክህበኩም፣ ኣብ'ቲ ኔዋይ ዓለም'ውን ኣብ ገሃነም ከእትወኩም እዩ” እናበለ ከስተምህር ከሎ ካብቶም ኣሕሉኞ <u>ኣሚናዳብ</u> ዝበሃል ፈራሒ እግዚኣብሔር ነበረ'ሞ ነቢይ <u>ኤርምያስ</u> ዝበሎ ሓቂ ምኻኑ ፈሊጡ ብልቡ ሓዘነ። ናብ ነቢይ <u>ኤርምያስ</u> ከይዱ ድማ ንርእሱን ንስድርኡን ካብ መዓት ክድሕኑ ክጽልየሉ ለመኖ። እቲ ነብይ'ውን ብኣምልኾ እግዚኣብሔር ክጸንዕ መኺሩ “ጥፍኣት ኢየሩሳሌም ኣየርኢኹም ምስ እዚ ሕዝቢ'ዚ'ውን ካብ ምምራኽ ይሓልኹም፣ ስራሕኩም ኣብ ዓለም ዝተሰምዐ ስምኩም ድማ ብዑዓን ይኹን። ካብ ናይ'ዚ ዓለም እዝን ካብቲ ናይቲ ኔዋይ ዓለምን መከራ ይሰውርኩም” ኢሉ ጸለየሉ።”

ቅዱስ ዘሲማስ ነዚ ምስ ኣንበበ'ዩ ዝተደነቐ፣ ኣብ ጸሎት ድማ እግዚኣብሔር ናይ ብዑዓውያን ነገር ክገልጸሉን ከምኡ'ውን ምእንቲ ድሕነት ነፍሱ ኢሉ ምስ ዝገበሮ ተጋድሎ ን ፵(40) ዓመት ብጾም፣ ብጸሎት፣ ብስግደት ለመነ። እግዚኣብሔር'ውን ልመናኡ ሰሚዑ ክፍጽመሉ መልኣኽ ለኣኸሉ። ምስ መልኣከ እግዚኣብሔር ድማ ንሠለስተ መዓልትን ለይትን ምስ ተጓዕዘ እቲ መልኣኽ ተሠወረ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ቅዱስ ዘሲማስ “ኣበይ ከም ዘለኹ ኣይፈልጥን እየ'ሞ፣ ኣምላኽይ ርድኣኒ፣ ኦ ጐይታይ ኣድሕነኒ” ኢሉ ጸለየ። ካብ ሰማይ ድማ “እግዚኣብሔር ምሳኻ እዩ እሞ ኣይትፍራሕ” ዝብል ዘጸናንዕ ቃል ሰምዐ። ኣብ ምድሪ ዘይፍለጥ፣ መልክዑ'ውን ፍሉይ ዝኾነ ኣራዊት'ውን ናብኡ ገጹ መጸ'ሞ ኣብ ልዕሊኡ ንክውጣሓሉ ክሳዱ ኣትሒቱ ኣብ ቅድሚኡ ደው በለ። ካብ ሰማይ ድማ “ኣይትፍራሕ ኣብ ልዕሊኡ ደይብ፣ ንሱ ናብቲ ዝተመነኻዮ ቦታ ከብጽሓካ እዩ” ዝብል መልኽቲ ተነግሮ። ኣብ ልዕሊኡ ኾይኑ ን፲፪(12) መዓልትን ለይትን ምስ ተጓዕዘ ድማ እቲ ኣርዌ ገዲፍዎ ኸደ። ሽዕኡ ካልእ ኣራዊት መጺኡ ዙርያኡ ባሕሪ ዝኸበቦ ቦታ ኣብጽሐ። ቅዱስ ዘሲማስ ኣብ ልዕሊኡ ደመና ዘለዎ ባሕሪ ምስ ረኣየ፣ ልመናኡ ክፍጽመሉ ብብዙሕ ንብዓትን ጸሎትን ናብ ኣምላኹ ተማሕጸነ። ኣብዚ ግዜ'ዚ “ኦ ዘሲማስ እግዚኣብሔር ከመይ ዝበለ ጸጋ ከም ዝሃበካ ኣስተውዕል። ናብ'ዚ ቦታ'ዚ ዝመጸ ነዚ ባሕሪ'ዚ ሓሊፉ ብሓረ ብዑዓን ዝበጽሐ ሰብ ብጅካ ብደመና ተጻዒኑ ዝመጸ ወንጌላዊ ቅዱስ ማቴዎስ ካልኣ ማንም ሰብ የለን። ንሰኻ ግና ብጸሎትካን ብድኻምካን ናይ ብዑዓውያን ሕይወት ርኢኻ ዝንኦም ንዓለም ክትነግር በቓዕካ” ዝብል ቃል ሰምዐ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ጥቓ እቲ ባሕሪ ክሳብ ሰማይ ዝበጽሕ ዓቢይ ገረብ ረኣየ። ከምዚ ዝብል ቃል'ውን ሰምዐ፣ “ኦ ዘሲማስ እግዚኣብሔር ንጫፍ እዛ ገረብ እዚኣ ናብኻ ገጻ ከም ትዝንብል ክገብራ እዩ'ሞ ናብታ ገረብ ደይብ፣ ኣትሪርካ ድማ ሓዛ” በሎ። ከምቲ ዝተኣዘዞ ምስ ፈጸመ፣ እተን በበይነን ዝነበራ ኣግራብ ድማ ተላጊበን ብሓረ ብዑዓን ኣብጽሐኦ ብሓረ ብዑዓን ምስ ኣተወ፣ ንፈጣሪ ፈጺሙ ኣመስገኖ። ነታ ምድሪ ምስ ረኣያ ውቅብቲ ኮይና ረኸባ። ናብ ቅድሚት ኣብ ዝስጉመሉ ዝነበረ እዋን ኣዝያ እናበርህትን መኣዝኣ እናጠዓመትን መጸት። ቀጺሉ ኣብ ዓበይቲ ኣግራብን ኣብ ትሕቲኡን ቆይሙ ዝጽሊ

ከም ፀሐይ ዘብርህ ሰብ ምስ ረኣየ ሰንቢዱ ደው በለ። እግዚኣብሔር ኻቦድሕኖ'ውን ጸለየ። ካብ ሰማይ “ኦ ዘሲማስ ኣይትሰንብድ” ዝብል ቃል ሰምዐ። ናብ'ቲ ሰብ'ውን ቀሪቡ ናይ ፀጋ ስግደት ሰገደሉ። እቲ ብዑዕ ንቅዱስ ዘሲማስ ከመይ ኢሉ ናብ'ዚ ቦታ'ዚ ከምዝበጽሐ ብምግራምን ብምድናቕን “ካብ ነቢያት ይኹን ሓዋርያት ብጀካ ወንጌላዊ ማቴዎስ ዝመጸ ሰብ የሎን። ንሸኻ ከመይ ኢልካ መጺእካ፡” ብምባል ሓተቶ። ቅዱስ ዘሲማስ ንዓታቶም ክርኢ ንፀ (40) ዓመት ከምዝለመነን እንሆ ብፍቕድ እግዚኣብሔር ከም ዝመጸን ነገሮ። ንሱ'ውን (እቲ ብዑዕ) “ፈጣሪ ንጸለዎትካ ሰሚዕካ እዩ፣ ንዓናውን ገጽካ ስለ ዘርኣየና ኣምላኽና ምስጋና ይብጽሓዮ። ኣነ'ውን ካብቶም ክትርእዮም ዝተመናኻዮም ሓደ እየ።” ኢሉ ናብ ብዑዓውያን ወሰዶ። ቅዱስ ዘሲማስ እቲ ብዑዕ ክዳን ዘይብሉ (ጥርሑ) ኾይኑ ስለዝረኣዮ “ጐይታይ ጥራይካ ዲኻ፡” ኢሉ ሓተቶ። እቲ ብዑዕ ሰብ “ኣነ ጥራየይ ኣይኮንኩን፣ ከምኡ'ውን ዝኣርግ ክዳን ኣይተኽደንኩን። እንተኾነ ንሕና ኣብዚ ዘሎና ጸጋ እግዚኣብሔር ዝለበስና ስለዝኾና ሕፍረትና ኣይረኣየናን እዩ” በሎ። እዚ ድማ ከምቲ ኣዳምን ሔዋንን ቅድሚ ትእዛዘ እግዚኣብሔር ምፍራሶም ክዳኖም ጸጋ እግዚኣብሔር ዝነበረ፣ ክዳን ብዑዓ ን'ውን ከምኡ እዩ ዝነበረ። (ዘፍ 3)። ቅዱስ ዘሲማስ እቲ ዝሰምየ ተገሊጹሉ ምስ ረኣየ እቲ ብዑዓዊ ሰብ ከም ፀሐይ የብርህ ነበረ። ነቲ ብርሃን'ውን ምጽዋር ስለ ዝሰኣኖ ብገጹ ክሳብ ዝወድቕ ኮነ። እቲ ብዑዓዊ ሰብ ብኢዱ ሒዙ “ኣጆኻ ኣነ'ውን ከማኻ ቀዳማዊ ሰብ እየ” ኢሉ ኣጸናኒዑ “ንኣበው ምእንቲ ክትርእዮም ተንሥእ ንዓናይ” ኢሉ ሒዝዎ ኸደ። ብዑዓን ኣበው ንቅዱስ ዘሲማስ ምስ ረኣዩ፣ ብኣድናቕት መንፈሳዊ ሰላምታ ምስ ተዋሃሃቡ፣ ንሳቶም'ውን ከምቲ ዝቕደመ ብዑዓዊ ብኸመይ ከም ዝመጸ ሓተትዎ። ንሱ ድማ ከመይ ኢሉ ከም ዝመጸ ዘርዚሩ መለሰሎም። ብድሕሪኡ ዝእዘዝዎ ሕፃናት ሃብዎ። ንሱ ግና ካብ ብዝሒ ሰላምታ ዝተላዕለ ስራሕ ከየፍትሑኒ ብምባል ነቶም ሕፃናት “ኣቦታትኩም እንተመጺኦም የለን በልዎም” በሎም። እቶም ሕፃውንቲ ግን ኣብ ዓዶም ሓሶት ዝበሃል ስለዘይፈልጡ ነቦታቶም “የለን በሉ ኢሉና'ዩ ኢሎም ነገርዎም። በዚ ግዜ'ዚ እቶም ብዑዓውያን ኣዝዮም ተቓጢያም “እዚ ሰብ'ዚ ካብ ዝነብረሉ ዓለም ሒዝዎ ንዝመጸ ክርዳድ ኣብዛ ሓሶትን፣ ክፍኣትን ተንኪልን ዘይንፈልጠላ ዓድና ክዘርኣልና እዩ'ሞ ይውጻእ” በሉ። ቅዱስ ዘሲማስ ዘይተጸበዮ ስለዝኾነ ሰንቢዱ ናብታ ዝመጽኣላ ዓለም ክምለስ እንተኾደ እተን ተላጊበን ዘእተውኦ ኣግራብ ተፈላልየን ረኸበን። እናሓዘነ ድማ ናብ ኣምላኽ ጸለየ። ናብኦም'ውን ተመሊሱ “ይቕረ በሉለይ” በሎም። ብሓሶት ቅዱስ ዘሲማስ ተገሪሞም ከለዉ “ኦ ብዑዓን ክሳብ ሽውዓተ መዓልቲ ግደፍዎ፣ ሰብ ዓለም ንሻኻትኩም ኸመስሉ ዜናኹም ካብ መጀመርያ ክሳዕ መወዳእታ ንገርዎ” ዝብል ቃል ሰምዑ። በዚ ግዜ'ዚ ኩሎም ክነግርዎ ጀመሩ። “ኦ ሰብ ዓለም ዛንታና ኩሉ ስምዑ። ንሕና ከማኻትኩም ሰባት ዝኾና ካብ ወገን ኣብርሃም ኢና። ኣቦና ፈራሒ እግዚኣብሔር ኣሚናዳብ ዝበሃል ነበረ። በቲ ግዜ'ቲ እቶም ሕዝቢ ቃል ኣምላኽ ኣይሰምዑን ስለዝነበሩ፣ ነቢይ ኤርምያስ ነቲ ሕዝቢ “ እንድሕር ዘይተመሊስኩም ብሥጋ ክትማረኹ ኢኹም ብነፍሲ'ውን ክትጠፍኡ ኢኹም” እናበለ ክምህር ከሎ ስለዝሰምዐ ናብ ነቢይ ኤርማያስ መጺኡ ንሱ ብጀካ እግዚኣብሔር ካልእ ከምዘየምልኽ ካብ ዝመጽእ ቁጥዓ ክሥውሮ ክጽልየሉ ተዛረቦ። ነቢይ ኤርምያስውን ጸልዩ ኣፋነዎ። በዚ ግዜ'ዚ ኣቦና ኣሚናዳብ “ንእግዚኣብሔር ዘፍቕር ሰብ እንተሃለወ ንሱን ቤተሰቡን ብምልኡ ካብ ገዝኡ ይውጻእ” ኢሉ ኣወጀ። ንዕኡ ተኸቲሎም ነቲ ኣዋጅ ሰሚያም ዝወጽኡ ብረድኤት እግዚኣብሔር ሳዕሪ፣ ቆጽሊ መጽሊ እናበልዑ ኣብ በረኻ ክነብሩ ጀመሩ። ደሓር ግን ኣቦና ኣሚናዳብን እቲ ንጉሥን ሞቱ። ካልእ ንጉሥ ምስ ነገሠ፣ ሓሰውቲ ሰባት “ኣብ በረኻ እስራኤል ንኣማልኽቲ ንጉሥ ዘይሰግዱ፣ ስራሕ ዘይሰርሑ፣ ግብሪ ዘይከፍሉ ኣለዉ። ነዚኣቶም ድማ ካልኦት እንተርእዮሞም ንኣታቶም ብምስዓብ ከተማታት ኣጥፊኦም ንገዳማት ክስደዱ እዮም። ስራሕ ዝሰርሕ፣ ግብሪ ዝኸፍል ከኣ ክሰኣን እዩ” ኢሎም ነገርዎ፣ እቲ ንጉሥ ነዚ ምስ ሰምዐ፣ መልእክተኛታት ልኢኹ ናብቲ ዓለም ኣትዮም፣ ንጉሥ ንዘምልኽ ጣያት ኻኸምልኹ፣

ኀክሰርሑን ግብሪ ክኸፍሉን ትእዛዝ ኣመሓላለፈ። ንሳቶም ግና “ኣይፋልናን፡ ኣይንገብርን” ስለ ዝበሉ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ን ፬ (4) መዓልትን ለይትን ኣሰሮምን ኣሳቐዮምን። በዚ ግዜ'ዚ ኣቦታትና ኣብ ቤት ማእሰርቲ፡ ንሕና ከኣ ኣብ በረኻ ክንጽሊ ከሎና፡ እግዚኣብሔር ቅዱሳን መላእኽቱ ልኢኹ ንኣቦታትና ካብ ቤት ማእሰርቲ ኣውጺኡ ብደመና ጽዒኑ ናባና ኣምጽኦም። ኀኩላትና ዓበይትናን ንኣሽቱናን፡ ኣዋልድናን ኣወዳትናን ብደመና ጽዒኑ ናብዚ ቦታ'ዚ ኣብጽሓና። ኣብ ልዕሊ እቲ ባሕሪ ማንም ሰብ ናባና ከይመጽእ ደመና ገበረ። ኣባና መዓልትን ለይትን ማዕረ እዩ። ግመ፡ ቁሪ፡ ክረምቲ፡ ሓጋይ የለን። ድኻም፡ ሃለኽለኽ፡ ምዝራእን ምዕጻድን፡ ምሻጥን ምልዋጥን፡ ብሩርን ወርቅን ዋላ ሓንቲ ናይ ሰብ ዓለም ግብሪ የሎን። ሃብታም ድኻ የሎን ኩልና ማዕረ ኢና። ኣራዊት ምሳና ይነብሩ፡ ወላ ሓንቲ ኣይትንክፉናን እዮም። ሥጋ ኣይንበልዕን። ወይንን ሚስን ኣይንሰትን። ኩሉ ግዜ ክሳብ ሰዓት ሠለስተ ንጸውም። ካብቶም ኣግራብ ዝኣክል ፍረ ይወርደልና፡ ኣብ ትሕቲ እቲ ኣግራብ'ውን ጽሩይ ማይ ይፍልፍለልና። ብድሕሪ'ዚ እቶም ፍረታት ናብ ኣግራቦም ይምለሱ። እቲ ማይ'ውን ይነቅጽ። ንፋስ እንተነፈሰ መኣዛ ገኒት ንሽትት። ካባና ሓደ እንተተመርዓወ ንሰበይቱ ሠለስተ ግዜ ጥራይ ይፈልጣ። ሠለስተ ቆልዑ ድማ ይወልዱ። ክልተ ኣወዳትን ሓንቲ ጓልን። እታ ጓል ነዲኣ ተገልግላ፡ እቶም ኣወዳት ድማ ሓደ ነቡኡ፡ ሓደ ድማ ንቤተክርስቲያን የገልግሉ። ብድሕሪኡ ንሳ ናብ ሰብኣያ፡ ንሱ ድማ ናብ ሰበይቱ ኣይምለሱን። ንሽሕ ዓመት (1000) ድማ ኣብዛ ምድሪ ንነብር።

ጐይታ ካብ ንጽሕት ድንግል ማርያም ክጽነስ፡ ልደቱ፡ ጥምቀቱ፡ ስቕለቱ፡ ሞቱ፡ ትንሣኤኡን ዕርገቱን ኩሉ መላእኽቲ ነጊሮሙና። በዘን በዓላት እዚኣን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ሄሮድስ ምስ ዝቐተሎም ሕፃናትን ምስ ቅዱሳን መላእኽትን ናብ ቤተክርስቲያን ይመጽእ። ወንጌላዊ ቅዱስ ማቴዎስ ብዛዕባ ኢየሱስ ክርስቶስ ክምህረና ብብሩህ ደመና ተጻዒኑ ናብ'ዚ ከመጽእ ከሎ ንሕና ኣቐዲምና ንፈልጥ ኔርና። ንእሽቶይ ቅድሚ ዓቢይ ኣይመውትን። ካባና ሓደ ንሞት እንተተጸውዐ፡ እግዚኣብሔር ዝለኣኾ መልኣኽ “ሓወየ እግዚኣብሔር ናብኡ ክትመጽእ ምስኡ'ውን ኀኽትከውን ለኣኽኒ” ይብሎ። እቲ ሰብ'ውን ኣዝዩ ይሕጐስ። ንዓና'ውን ኣኪቡ “ናብ ኣምላኽይ ክኸይድ እየ'ሞ ተሓጐሱ” ይብለና። ብድሕሪኡ መላእኽቲ ናባና ይመጹ'ሞ እቲ ሰብ ሕያው ከሎ ሓቢርና ናብ መቓብር ኬድና ስለ ኹሉ ነገር ንእግዚኣብሔር ነመስግን። ኣብዚ ግዜ'ዚ ነፍሱ ብዘይ ድኻም ትወጽእ መላእኽቲ ድማ “*ክቡር ሞቱ ለጻድቅ በቅድመ እግዚኣብሔር*” እናበሉ ሥግኡ ክሳብ ዝቐበር ከመስግኑ ንሰምየም። ሓቢርና'ውን ነመስግን። ዓብይ ጸም ናይ ጐይታና ምስ በጽሐ ፍረታት ኣግራብ ናብ ላዕሊ ይድይቡ። ጸም ከምዝኣተወ ሽዑኡ ንፈልጥ። ክሳብ ምሸት ንጸውም፡ ምሸት ድማ መና ካብ ሰማይ ይወርደልና፡ ካብ ምድሪ'ውን ማይ ይፍልፍለልና። ኣብ ዓለም ዘለዉ ሰባት ብመንገዲ እግዚኣብሔር ክመላለሱ ክነጽሁን ከለዉ ስለእንፈልጥ ንሕጐስ። እምበኣር ዘሲማስ ግብርና እዚ'ዩ እሞ ጸሓፎ። ሓዞ ንሰብ ዓለም'ውን ንገሮም። ናብ እግዚኣብሔር ኀክምለሱ። ምሕረቱ ኹሉ ንገሮም” በልዎ። ቅዱስ ዘሲማስ ነዚ ምስ ሰምዐ ንእግዚኣብሔር ፍጹም ኣመስገነ። ንሳቶም'ውን “ሕይወት ሰብ ዓለም ከመይ ኣሎ፧ ቂምታ፡ ዓመጻ፡ ክፍኣት ኣሎ'ዶ፧” ኢሎም ሓተትዎ። “እወ ኣሎ” ምስ በሎም “ኣርዑት ጭቐና ነገሥታት ዚኸብዶም ነዚ እዩ” በልዎ።

ሸውዓተ መዓልቲ ምስ ተፈጸመ ድማ ቅዱስ ዘሲማስ ከምዚ በሎም፡ “ምሳኻትኩም እንተዝነብርስ ከመይ ሐጐስ ምተሰምዓኒ! እንተኾነ ግና ዜናኹም ንሰብ ዓለም ክነግር ክኸይድ እየ'ሞ ጸልዩለይ በሎም። “ጐይታና ንዓና ክትርኢ ዜናና ንሰብ ዓለም ክገልጽ ፈትዩ እዩ'ሞ ኣብ ዚመጽእ ዓለም ሠናይ ዋጋ ሃቡ፡ ምሳና'ውን ሕጉስ ይኹን። ኣሜን!” ኢሎም ጸለዩሉ።

ቅዱስ ዘሲማስ ዜና ብዑዓን ዝጸሓፈሉ መጽሓፍ ሒዙ ናብ ዝመጽኣላ ቦታ ክምለስ እንከሎ እተን ኣግራብ ተላጊበን ጸንሕኡ። ግዜኡ ድማ ብጸሎት ብዑዓውያን ካብቲ ቀዳማይ ብዝወሓደ መዓልታት ናብ በዓቱ ተመልሰ።

ትምኒቱ ኩሉ ስለ ዝተፈጸመሉ ንእግዚኣብሔር እናኣመስገነ ከሎ፡ ጸላኤ ሠናይ ብዓውታ እናጨደረ ናብኡ ቐረበ'ሞ “ኦ

ዘሲማስ ካብ ኢደይ ዝወጽኡ ብዑዓውያን ከይኣኽለኒ ሰባት ብግብሮም ንዓኣቶም ክመስሉ ዜንኦም ጽሒፍካ መጺእካ! በል ኣነ ድማ ዝገብሮ ኣለኒ። መከራ ኣብ ልዕሌኻ ከብዝሕ እየ፡ ነታ ሒዝካያ ዚመጸእካ መጽሓፍ'ውን ከይትጥቀመላ ክወስዳ እየ።" ኢልዎ ተሠወረ። ንሱ ግን ጸሎቱ ከየቋረጸ ክጽሊ ከሎ፡ መልኣኽ እግዚኣብሔር ተገለጸሉ'ሞ "ሃገረ ብዑዓን በጺሕካ ስሌኦም ክትምስክር ዝተመረጽካ ኦ ዘሲማስ ሰላም ንዓኻ ይኹን! ሰይጣን ከም ኢዮብ ክፍትነካ ካብ እግዚኣብሔር ለሚኑ ኣሎ'ሞ ኣይትፍራሕ እግዚኣብሔር ምሳኻ እዩ" በሎ። ድሕሪ ቅሩብ መዓልታት ሰይጣን ምስ ጭፍርኡ ብዓቢይ ጭደራን ብዓውታን ናብ በዓቲ ዘሲማስ ኣትዩ ነቲ መጽሓፍ ኣሕደጎ። ንቅዱስ ዘሲማስ ድማ ጐቲቱ ኣውጺኡ ክሳብ ከም ሓደ ዝሞተ ሰብ ዝመስል ን፲፭ (15) መዓልታት ኣሳቐዮ። ቅዱስ ዘሲማስ ዋላ'ውን እዚ ኩሉ መከራ እንተወረዶ ንፈጣሪኡ ምእንታን ካብ ስቓይ ከድሕኖ ምጽላይ ኣየቋረጸን። ድሕሪ'ዚ መልኣኽ እግዚኣብሔር መጺኡ "ኦ ዘሲማስ ተንሥእ! እግዚኣብሔር ኣብ ልዕሊ ሰይጣን ምልኪ ሂቡካ'ዩ። ድሕሪ ሕጂ ናባኻ ዚቐርብ ጸላኢ የልቦን'ሞ ኣይትፍራሕ" በሎ። ቅዱስ ዘሲማስ "ኦ ጐይታይ ነታ መጸናኒኺተይ ዚኾነት መጽሓፍ ዜና ብዑዓውያን ወሲዱለይ ኣሎ" ምስ በለ እቲ መልኣኽ "ኣይትሕሰብ እግዚኣብሔር ከም ዝኣዘዘኒ ብዘይፍቓዱ ከምዝመጽእ ክገብሮ እየ" ኢልዎ ከደ። መልኣኽ እግዚኣብሔር ንሰይጣን ብኽልተ ሰንሰለት ኣሲሩ እናገረፈ ሒዝዎ መጸ። ሰይጣን ድማ " ኦ ዘሲማስ ንዓኻ በደልኩ፡ ስቓይ ውን ኣብዛሕኩልካ፡ ድሕሪ ሕጂ ግን ኣብኻን ኣብ ቦታኻን ዘበለ ኩቶ ኣይርከብን እየ" እናበለ ገዓረ። ነታ መጽሓፍ ዜና ብዑዓውያን መልኣኽ እግዚኣብሔር ካብ ኢድ ሰይጣን ኣሕዲጉ ንቅዱስ ዘሲማስ መለሰሉ።

ካብቲ ግዜ'ቲ ጀሚሩ ቅዱስ ዘሲማስ ኣብ በዓቱ ኮይኑ ስለ'ቲ እግዚኣብሔር ዝገበረሉ ነገር ኩሉ እናመስገነ ዜና ብዑዓውያን እናንበበን ብሰላም ይነብር ነበረ። ግዜ ዕረፍቱ ምስ ኣኸለ መልኣኽ እግዚኣብሔር መጺኡ " ኦ ዘሲማስ ካብዛ ዓለም'ዚኣ ተፈሊኻ ናብ እግዚኣብሔር ትኸደላ መዓልቲ ኣኺላ ኣላ እሞ ኣብዛ ገዳም'ዚኣ ዘለዉ ኣበው (ኣቦታት) ኣኪብካ ከንብብዋን ንዓለም ድማ ከስተምህሩላን ክገልጹላን ንመጽሓፍ ዜና ብዑዓውያን ሃቦም" በሎ። ቅዱስ ዘሲማስ ናይቲ ገዳም ኣበው መነኮሳት ኣኪቡ ዜና ብዑዓውያን ኣንበበሎም። ክጥቀምሉን ንሰባት'ውን ክገልጹሎምን ኣዘዞም። ብድሕር'ዚ "ካብዛ ዓለም ዚኣ ተፈልየ ናብ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክኸይድ እየ'ሞ ጸልዩለይ" ኢልዎም ኣብ መበል ተስዓን ሠለስተን ዓመቱ (፺፫) ብ 9 (፱) ሚያዝያ ዓረፈ። ከቢቦም ዝነበሩ ገዳማውያን ኣበው ነፍሱ ከም ፀሐይ እናብረሀት ብምስጋና መላእክቲ ናብ ሰማይ ክትዓርግ ረኣይዋ። ኣብ መቓብሩ'ውን ብዙሕ ተኣምራት ተራእየ። ዜና ብዑዓውያን ንመነኮሳት ኣበው ኀኹሉ ሰብ መጸናንዒ ምእንቲ ክኸውን ተዛረቡሉ።

***በረከተ ቅዱስ ዘሲማስን ብዑዓውያንን ምስ ኵላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን። ኣሜን።***

- ሰላም ለዘሲማስ ሶበ ጸለየ ወኣስተብቀዓ፡
- መጠነ ዓመታት ኣርብዓ፡
- ብሔረ ብዑዓን በዊኦ ኣምሳለ ማቴዎስ ቦኣ፡
- ኵሎ በህየ እንተ ነጸረ ወሰምዐ፡
- በውስተ ዓለም ከመ ይስብክ ወፅኣ፡

ምንጪ፡ ***መጽሐፈ ሰንክሳር ዕለት ፱ ሚያዝያ***

✠ ✠ ✠

## ቅዱስ መርቄ ነጋዳይ

ቅዱስ መርቄ ትውልዲ ሃገሩ ከተማ ኣንጾክያ ኣብ ግብጺ እዩ። እዚ ቅዱስ ኣቦ ስርሑ ነጋዳይ ኮይኑ ሓደ ጉዝፋር ዝስሙ ዓርኪ ነበሮ፡ ኣዝዮም ዝፋቐሩ ነበሩ፡ እንተኾነ ግን ብኹሉ ነገር እኳ እንተ ተፋቐሩ ኣብ መንጕኦም ዘየራኽብ ዓቢ ፍልልይ ብምንባሩ ንሱ ድማ ጉዝፋር መምለኺ ጣዖት ብምኳኑ እዩ።

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ጉዝፋርን መርቄን ክነግዱ ናብ ሓንቲ ከተማ ነበግዱድ ትበሃል ቦታ እናኸዱ መገዲ ስለ ዘይነበሮ ንኣስታት ሓሙሽተ መዓልቲ ብጫካ በረኻ ብኣግራብን ብኣእዋምን ዝተኸበ ድሕሪ ምኻዶም፡ ቅዱስ መርቄ ብብርቱዕ ሕማም ይሓምም እሞ እቲ ክነግደሉ ኢሉ ተማሊእዎ ዝነበረ ኣርብዓ ጥረ ወርቂ ብበቕሊ ዝተጻዕነ

ንእግዚአብሔር ኣምላኽ ክህቦ ብምባል ነፍሱ እናጸናንዔ ኣብ ንእሽቶይ ወረቐት “ስማዕ ኦ ጐይታይን ኣምላኽይን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣነ ኣገልጋሊኻ ናትካ ፍጡር መርቂ ዝተባህልኩ ኣብቲ ዘይሓልፍ ሓድሽ ሰማያት ሃገር ምእንቲ ኩተውርሰኒ እዘን (፸) 40 ጥረ ወርቂ ምስ በቐለን ዝተጻዕና ንደቀይ ንሰበይተይ ንስድራቤተይ ከይበልኩ ኣብ ኢድካ ክበጽሓ እልእኸልካ ኣለኹ” ኢሉ ነታ ጽሕፍቲ ደብዳቤ ሓቲሙ ነቲ ዘፍቅሮ መምለኺ ጣያት ዓርኩ በቲ ናቱ ዘምልኾ ኣምላኽ ኣምሒሉ ከምዚ በሎ “ክመውት ከለኹ ከይትቐርበኒ ጥራይ እዘን (፸) 40 ጥረ ወርቂ ምስ በቐለን ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ወዲ እግዚአብሔር ሕያው ኣብ ኢዱ እንተዘይኮይኑ ኀኻልእ ከይትህብ ኢሉ ተላበዎ።”

ንሱ ድማ ማለት ጉዝፋር ዓርኩ “ሎምስ ተጸሊልካ ኢኻ መስለኒ እቲ እትብሎ ዘለካስ ትፈልጦ ዶሎኻ ኣይሁድ ሒዞም ገሪፎምዎ እንደገና ኣብ መስቀል ሰቒሎም ቀቲሎሞ ኣብ መበል ሣልሳይ መዓልቲ ድማ ንሰማይ ዓሪጉዶ ኣይበልካንን እሞ ድማ ሕጂ ንሰማይ ክንፊ ኣውጺኤ ክበርር ዲኻ ደሊኻኒ ኢሉ እዚ ነገር እዝስ ሕሰበሉ ደኣ እምበር ከምዚ ንሸኻ ትብሎ ዘለኻስ ክህበልካ ኣይክኣለንን እዩ” በሎ። ቅዱስ መርቂ ግን ብዘረብኡ ከይተጠራጠረ ኪድ ጥራይ ከምታ ዝሓበርኩኻ ግበር ባዕሉ መጺኡ ክቐበላካ እዩ በሎ።

ቅዱስ መርቂ ክመውት ምስ ደለየ ኣይትተንክየኒ ስለ ዝበሎ ጉዝፋር ኣብ ርሑቕ ቦታ ኮይኑ ይዕዘቦ ነበረ። ከምዚ ድማ ረኣየ ልብሲ ብርሃን ዝሓዙ መላእኽቲ ክወርዱ ምስኣቶም ድማ ጻድቓን፣ ሰማዕታት፣ ነብይ ዳዊትውን ብመሰንቆ እናዘመረ፣ መንፈስ ቅዱስ ብእምሳል ርግቢ ሰለስተ ግዜ ንሥግኡ ክዘውር ደድሪኡ ኣብ መወዳእታ ነፍሱ ካብ ሥግኡ ተፈልያ። መላእኽቲ ከቢቦማ ብዓቢ ሓጐስ ንሰማይ ክዓርግ ምስ ረኣየ፣ ብኡ ንብኡ ክልተ ኣናብስቲ ካብቲ ዱር ወጺኦም ንመቓብሩ ዝኸውን ፍሒሮም ባዕላቶም ሓመድ ኣዳም ኣልበስዎ።

ድሕሪዚ ጉዝፋር ብዝረኣዮን ብዝሰምያን መሳጢ ዝኾነ ምሥጢራት እናተደነቐ ነታ ሓደራ ዝተዋህባ ክፍጽም ኣንፈቱ ናብ ሃገረ ንጾክያ እትርከብ ቤተክርስቲያን ኣምርሐ። ኣብኡ ምስ በጽሐ ድማ ምስ ኣማሓዳሪ ቤተክርስቲያን ካህን ታዴዎስ ድሕሪ ምርካቡ ኩሉ እቲ ዝተባህሎ ይነግሮ እሞ እቲ ኻህን ድማ ባዕሉ ክቐበሎ ደለየ እንተኾነ ግን ውዕል ክልቲኣም ከምኡ ስለ ዘይነበረ ንምኽሩ ኣይተቐበሎን፣ ሽዑ ካህን ታዴዎስ ቤተክርስቲያን ከፈተሉ እሞ ጉዝፋር ድማ እቲ ዝሓዞ ንብረት ሒዙ ኣብታ ቤተክርስቲያን ጠጠው በለ። ፍርቂ ለይቲ ምስ ኮነ ድማ ድምጺ ነጎድጓድን መብረቕን ኣብቲ ውሽጢ መቕደስ ተሰምዐ። ብፍሉይ ብርሃን እታ ቤተክርስቲያን ተጎልበበት ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ እውን ከም ፀሓይ ደሚቑ ኣብቲ ልዕሊ ታቦት ምስ ኩሎም መላእኽቲ ኣብ ዙርያኡ ከቢቦም ተገልጽዎ። ድሕሪኡ ሓደ መልኣኽ ናብኡ ቀሪቡ “ንምንታይ ኣብዚ ጠጠው ኢልካ? ኣንታ ከሓዲ ጉዝፋር ምስ በሎ ንሱ ድማ ብዛዕባ ብጻዩ ቅዱስ መርቂ ዝሃቦ ሓደራ ነጊሩ ብዘይካ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኀኻልእ ዝቐበል ኃላፍነት ሓደራ ከም ዘይተዋህበ ድሕሪ ምግላጹ፣ እቲ መልኣኽ “በል ተረዳእ ኣስተውዕል እዚ እዩ ፈጣሪና ነዚ ድማ እዩ ሓደራ ዝበለካ ቅድሚ ኹሉ ነገር ናብኡ ስገድ” በሎ። ምስ ሰገደ “ኣሚነ ኣለኹ ፈጣሪ ምኗንካ ብዘይካኻ ንዓለም ዘማሓድራ የልቦን” ድሕሪ ምባሉ እቲ ሓቲሙ ዝሓቦ መልእኽትን እቲ ወርቕን በቐልን ብኢድ መላእኽቱ ጌሩ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ተቐቢሉ ምዘንዎ በሎም ከምታ ዝሃቦ ድማ ኣርባዓ ጥረ ወርቂ ኮነ።

ሽዑ ጐይታናን ኣምላኽናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንመምለኺ ጣያት ጉዝፋር ናብቲ ኣማሓዳሪ ቤተክርስቲያን ካህን ታዴዎስ ከይዱ ክጥመቕ ኣዘዞ። ንሱ ምስ ተጠምቀ በቲ መስተንክር ዝኾነ ፍጻሜታት ዝሰምዑ ቤተሰቡ ልዕሊ 75 (፸፭) ነፍሳት ብሓደ ግዜ ተጠምቁ።

ኣብ መወዳእታ ቅዱስ መርቂ በቲ ከይብለኒ ከይበለ ኀኹሓዲ ብጻዩ ቃል መከራ ስቕለቱን ግርፋቱን ናይ መድኃኔ ዓለም ብምንጋሩ ንሱን ቤተሰቡን ካብ ናይ ዘልዓለም ጥፍኣት ኣናገፎም። ንሱ ድማ በቲ ኩሉ ዝገበሮ ቅድሚ ምማቱ ካብ ኣምላኽ ቃል ኪዳን ተቐቢሉ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ብዕለት 3 (፫) ወርሒ ሚያዝያ ሕይወቱ ካብ ሥግኡ

ተፈልያ ናብ ናይ ዘልዓለም መንግሥተ ሰማያት ብዓቢ ክብሪ ብኽንፈ መላእኽቲ ዓረገት።

***ጸሎቱን በረኽቱን ናይ ኣቦና ቅዱስ መርቁ ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።***

**ምንጭ ስንክሳር ፫ ጥር**

✠ ✠ ✠

## ቅዱስ ኣርሳንዮስ

ብራብዓይን ኃሙሻይን ክፍለ ዘመን በረኻታት ግብጺ ብንጽሕናን ተጋድሎን ትጉሃት መነኮሳት ባሕታውያን ዝመልኣ ካብ ከባቢ ግብጺ ጥራይ ዝመጹ መነኮሳት ኣይነበሩን፣ እንታይ ደኣ ካብ ዝተፈላለየ ክፍልታት ዓለም ዝመጹ እምበር፣ ካብዚኣቶም ብሮማውያን ብግሪኻውያንን ትምህርቲ ዝለዓለ ደረጃ ዝበጽሑ ናብ ግብጺ ከይዶም ብብሕትውናን ብርቱዕ ተጋድሎን ካብ ዝፈጸሙ ቅዱሳን ኣቦታት ሓደ ፍሉጥ ዓቢ ኣቡነ ቅዱስ ኣርሳንዮስ እዩ።

ቅዱስ ኣርሳንዮስ ካብ ሰብ ጸጋን ሥናይ ዝግብሮምን ወለዲ ኣብ ከባቢ 350 ዓ.ም.ግ. ኣብ ሃገረ ሮም ተወልደ። ወለዱ'ውን ናይ ቤተክርስቲያን ትምህርቲ ከምዝመሃር ገበሩ፣ ተወሳኺ'ውን ብዘመኑ ዝነበረ ናይ ግሪኻውያንን ሮማውያንን ትምህርቲ ክሳዕ መወዳእታ ዝተመሃረን ኣዝዩ ፈላጥን ነበረ፣ ኣባ ኣርሳንዮስ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ምንባብ ዝፈቱ ብምንባሩ ቀጺሉ ከኣ ግቡእ ትምህርቲ ሃይማኖት ምስ ተማህረ በቶም ናይ ሽዑ ዝነበሩ ናይ ሮም ጳጳስ ዲቁና ተሾመ፣ ድሕሪ ጊዜ ኣቡኡን ኣዲኡን ምሟቶም ዝወረሶ ሃብቲ ብምሉኡ ንድኻታት ሃቦ በይኑ ምንባር ጀመረ ንሱ በቲ ዝሠርሖ ዝነበረ ናይ ጽድቂ ሥራሕን ብጥበብን ዝተፈልጠ ኮነ።

እቲ ዓቢ ንጉሥ ቴዎዶስዮስ ነቶም ክልተ ደቁ ኣርቃድዮስን ኣኖሬዎስን። ዘስተምህረሉ ሰብ ምስ ደለየ። ናይ ሮም ጳጳስ ብመንፈሳውን ብዓለማዊ ፍልጠትን ንዝበሰለ ንኣባ ኣርሳንዮስ ስለዝመረጸሎም። ናብ ቁስጥንጥንያ ለኣኽዎ። ከይዱ'ውን ክምህር ጀመረ። ሓደ ግዜ እቲ ንጉሥ ቅዱስ ኣርሳንዮስ ንዝምህረሉ ዘለዉ ደቁ ንምርኣይ ምስ መጸ ኣባ ኣርሳንዮስ ደው ኢሉ ክምህር ደቁ ግና ኮፍ ኢሎም ክመሃሩ ረኣየ፣ እዚ ምስ ረኣየ ንሳቶም ደው ኢሎም ክመሃሩ ቅዱስ ኣርሳንዮስ ግና ኮፍ ኢሉ ክምህር ገበረ። ከምዚ እናገበረ ከባቢ ፲፭ (15) ዓመት ድሕሪ ምጽናሕ ዝነበሮ ቦታ ቤተ-መንግሥቲ ብምኻኑ ሓፈሻዊ ኮነታት ደስ ኣይበሎን፣ ጐይታ ብወንጌሉ ***“ ሰብ ዓለም ኩሉ ረቢሑሰ ንነብሱ እንተጥፍኣ እንታይ ይጠቕሞ”*** ዝበሎ ቃል እናሓሰበ ንፈጣሪኡ ዝድሕነሉ መንገዲ ኣርእየኒ ኢሉ ጸለየ። ኣብዚ እዋን'ዚ “ ኣርሳንዮስ ካብ ሰብ ተፈሊኻ ኪድ ክትድሕን ኢኻ” ዝብል ቃል መጸ። እዚ ምስ ሰምዐ ንቁስጥንጥንያስ ገዲፉ ብእስክንድርያ ጌሩ ናብ ገዳም ኣስቄጥስ ናብ ኣባ መቃርዮስ ከደ። ኣባ መቃርዮስ ንዮሓንስ ሓጺር ብቕዓቱ ፈቲኑ ምእንቲ ክቕበሎ ኣሕሊፉ ሃቦ፣ ምሽት ኩሎም መነኮሳት ናይ ዕለት መቕነኖም ክወስዱ ከለዉ ኣባ ዮሓንስ ንኣባ ኣርሳንዮስ ኣብ ማእከሎም ደው ኢሉ ከሎ ከይሃቦ ሰኞ በለ እሞ፣ ድሕሪኡ ቅዱስ ዮሓንስ ነቲ መቕነን “እንተደሊኻ ብልዓዮ” ብዝገልጽ ኮነታት ኣብ ፊት ቅዱስ ኣርሳንዮስ ደርበየሉ፣ ኣባ ኣርሳንዮስ ግና ደስ እናበሎ ኮፍ ኢሉ ተመገበ። ቅዱስ ዮሓንስ ሓጺር ብናይ ኣርሳንዮስ ኮነታት ተሓጉሱ ካልእ ፈተና ከይፈተነ “እዚ ሰብ'ዚ መነኮስ ክኸውን ይክእል እዩ ኢሉ ተቐበሎ ካብዛ ዕለት እዚኣ ጀሚሩ ኣባ ኣርሳንዮስ ተጋድሎኡ ጀመረ።

ሓደ እዋን ቅዱስ ኣርሳንዮስ ዝበሰለ ጥረ ቅራፍ ክድርቢ ከሎ እቶም ናይ'ቲ ገዳም ኣበምኔትን እቶም ገዳማውያን ኣቦታትን ረኣይዎ፣ እቶም ኣበምኔት ግን ነቲ ረድኦም ጸዊየም “ቅዱስ ኣርሳንዮስ ዝፈጸሞ ጌጋ ርኢኻዮ ዶ፡” በልዎ፣ ንሱ ውን እዉ ኣቦና ሪኤዮ በሎም፣ ድሕሪኡ “በል ንኣባ ኣርሳንዮስ ጌጋኡ ብቕጥታ እንተነጊርናዮ ኣብ መንፈሳዊ ሕይወቱ ዕንቅፋት ከይኮኖ ካብዛ ገዳም'ውን ወጻኢ ከይከይድ ኣነ ንኣባ ኣርሳንዮስ ጸዊዔ ከዘራርቦ እየ። ንሸኻ ኣብ ጥቓና ብምምጻእ እታ ንሱ ዝፈጸማ ጌጋ ድገማ። ሽዑ ኣነ ዝኾረኹ ብምምሳል ንምንታይ እዚ ጌጋዚ ፈጺምካ ብምባል ክጸፍዓካ'የ። በዚ ንኣባ ኣርሳንዮስ ጌጋኡ ከይደግም ትምህርቲ ክኾኖ እዩ” በሎ፣ እቲ ረድኢ'ውን ነቲ ቅዱስ ሓሳብ ብምሉእ ልቡ ተቐበሎ፣ እቲ ኣበምኔት ንኣባ ኣርሳንዮስ ጸዊዑ እናኣዕለሎ ከሎ እቲ ረድኢ ኣብ ጥቓ ኣባ ኣርሳንዮስ ኮይኑ እናቐረፈ

ክምገብ ጀመረ፣ ነዚ ብምዕዛብ እቲ ኣበምኔት ከምዝተቐጥዐ ሃረሞ። ኣብ ውሽጢ ገዳምና ንምንታይ ከምዚ ትገብር፡ በልዎ ቅዱስ ኣርሳንዮስ እቲ ተግሳጽ ንዕኡ ምኻኑ ተረዲእዎ *“ዛቲ ጽፍኣት ዘኣርሳኒ ይእቲ”* እዛ መጽፋዕቲ ናተይ እያ ኢሉ ነቲ ዝነበሮ ልምዲ ሓደጎ።

ኣባ ኣርሳንዮስ ኣብ በረኻ ኣስቄጥስ ሓሚሙ ከሎ ካብ ሰብ ምጽዋት ስለ እተቐበለ፣ “ ኦ ጐይታ ስለ ስምካ ምጽዋት ክቕበል ኣብቂዕካኒ ኢኻ እሞ ኣመስግነካ ኣሎኹ” በለ ብካልእ ጊዜ'ውን ኣብ ሲሃት ዝተባህለ በረኻ ከሎ ተጸልኢዎ እቲ ሕማም ስለዝበርትዖ ከኣ ናብ ቤተክርስቲያን ኣምጽእዎ ብንእሽቶይ ምንጻፍን ትርኣስን ጌሮም ኣደቀስዎ ሓደ ካብ ኣረጋውያን ክሪኦ ምስ መጸ፣ ከምዚ ዝጸንዕን ብመንፈሳዊ ሕይወት ዝተጋድለን “እዞም ብምንጻፍ ደቂሶም ዘለዉ ድዮም” ኢሉም ብዛዕባ ዕቤት ኣባ ኣርሳንዮስ ተጠራጠረ፣ ኣብዚ እዋን'ዚ ሓደ ናይ ቤተክርስቲያን ካህን ነዚ ኣረጋዊ “ብሃገርካ ከለካ ሥራሕካን መነባብሮኻን ከመይ ነይሩ ብምባል ሓተትዎ፣ ንሱ “ናይ ኣባጊዕ ጓሳ ነይረ መነባብሮይ'ውን ብብዙሕ ድኻም ውረድ ደይብን ነበረ በሎ።

ብድሕሪኡ “ኣብዚ ገዳምኽ ከመይ እዩ፡” በሎም፣ ንሱ'ውን ኣብ'ዝስ ብብሕተይ ተወሲነ ካብ ዓለም ኣብ ዝነበረኒ ድኻም ብጸጋ እግዚኣብሔር ዓሪፌ ኣሎኹ” በሎ። እዚ ምስ በሎ ኣስዒቡ፣ “ ንኣባ ኣርሳንዮስ ኣብ ዓለም ከሎ ትፈልጦ ዶ፡” ክብልዎ ከለዉ፣ “ኣይፈልጦን” እየ በለ ብድሕሪኡ እቲ ካህን “ ቅዱስ ኣርሳንዮስ ናይ ደቂ ንጉሥ መምህር ነበረ። ንዓ ኣቶም ብዙሕ ኣገልገልትን ተኣዘዝትን ነበርዎም። ወርቅን ብሩርን ካልእ'ውን ሃብቲ ዘይቁጸር ነበሮም፣ ዝተማህሩን ናይ ቤተክርስቲያን ሰብን ነበረ፣ ንሸኹም ብዓለም ከሸኹም ዝነበረኩም ዝኣኽል ሃብትን ጣዕምን እኳ ኣርሳንዮስ ኣብዚ ገዳም'ዚ ብእዋን ሕማሙ ኣይረሽቦን ንሸኹም ኣብዚ ገዳም ንናብራኹም ጥዒምኩም ትነብሩ ኣሎኹም ኣባ ኣርሳንዮስ ግና እቲ ኩሉ ክብርን ሃብትን ገዲፉ መጸ” በሎም። እዚ ምስ ሰምዑ እቶም ኣረጋዊ ተጣዕሱ “ኣባ ኣርሳንዮስ ኣቦይ ይቕረ በለለይ ንሸኻ ናብ ድኽነትን ትሕትናን መጻእኻ ናተይ ግና ካብ ድኻም ናብ ዕረፍቲ እዩ” ኢሎም ሰጊዶምሉ ከዱ፣ ቅዱስ ኣርሳንዮስ ብዛዕባ ነብሱን ብዛዕባ ኮነታት ዓለምን ኩሉ ግዜ ይበኽ ብምንባሩ ኣብ መንነ ኣፍ ልቡ ንብዓት ዝወርደሉ ቦታ ውሕጅ ከም ዝኸደሉ መሬት ፍሉይ ምልክት ሒዙ ይረአ ነበረ። ተንኮበት ብምሥራሕ ክነብር ከሎ፣ ንመተርከሲ ዝጥቀመሉ ዝነበረ ማይ ኣይቅይሮን ነበረ እሞ ሓደ “ ንምንታይ እዚ ኣዝዩ ዝረስሐን ዝጨነወን ማይ ዘይትቕይሮ ምስ በሎ፣ “ኣብ ዓለም ከለኹ ዝሰተኽዎ ዝጸበቕን ጥዑምን ማይ በዚ ክቕጻዕ ኢለ እየ፣ በሎ። ቀዳም ምሽት ገጹ ናብ ምብራቕ ጌሩ ፀሐይ ዝባኑ ክትሃርሞ ኢዱ ዘርጊሑ ንጸሎት ምስ ቆመ ኮፍ ዝብል። ሰንበት ንግሆ ፀሐይ ገጹ ክትሃርሞ ከላ እዩ፣ *“ ንሳእ መክፈልተክ ኦ ሓካይ ሥጋ ደኹም ሥጋ በሰባሲ ኣዕርፍ”* ብምባል ኣዕርፋ፣ ኣባ ኣርሳንዮስ ንሓደ ዘይተማህረ መነኮስ ምኽሪ ክሓትት ዝረኣዮ ንሸኻ ብዙሕ ዝተመሃርካ እንከለኻ ከመይ ኢልካ ነዚ ትሓቶ ኣለኻ በሎ ንሱ ግና “እወ ኣነ ናይ ግሪኽን ሮማውያንን ትምህርቲ ተማሂረ ኣሎኹ ናይ ቅዱሳን ሕይወት ግን ገና ነቲ ፊደል'ውን ኣይቆጸርኩን” ኢሉ መለሰሉ።

ቅዱስ ኣርሳንዮስ ናብራ ብሕትውና ፈጺሙ ካብ ምፍታው ዝተላዕለ ምስ ሰብ ምርኻብ ኣይፈቱን ነበረ፣ ሓደ መዓልቲ ኣባ መቃርስ “ ኣባ ኣርሳንዮስ ካባና ንምንታይ ትሃድም ኣሎኻ ንዓና ውን ዓለማውያን ጌርካና ዲኻ ምስ በሎ ካብ መጠን ንላዕሊ ከም ዝፈትወካ እግዚኣብሔር ይፈልጥ እዩ። እንተኾነ ግና ምስ ሰብን ምስ እግዚኣብሔርን ምኻን ኣይከኣልን። ንእግዚኣብሔር ሓዲገ ከኣ ምስ ሰብ ምንባር ኣይክእልን እየ” ብምባል መለሰሉ። ናብ ውሽጢ ቤተክርስቲያን'ውን ክኣቱ ከሎ ብዓንዲ ይስወር ነበረ፣ ሓደ እዋን ካብ ቤተ መንግሥቲ ሮም ዝኾነት ንእግዚኣብሔር'ውን እትፈርሕ ዝነበረት ንግሥቲ ክትርእዮ ስለዝደለየት ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ቴዎፍሎስ ንቅዱስ ኣርሳንዮስ ክዛረበላ ለመነቶ፣ ሊቀ ጳጳሳት ሓሳባት እታ ንግሥቲ ንኣባ ኣርሳንዮስ ነገሮ እንተኾነ ግና ቅዱስ ኣቦና ኣባ ኣርሳንዮስ ፍቓደኛ ኣይኮነን፣ እታ ንግሥቲ ከም ዘይቅበላ ምስ ፈለጠት፣ “ ኣነ ታራ ሰብ ዘይኮንኩስ ነቲ ዓቢ ቅዱስ ኣርሳንዮስ ክርእዮ መጺኤ ኣሎኹ

ከም ዝርእዮ በረኸቱ'ውን ከም ዝቐበል ብእግዚአብሔር ኣሚነ ኣሎኹ" ኢላ ምስ ብዙሓት ዓጀብታን ሠራዊታን ኮይና ከደቶ፡ ንኣባ ኣርሳንዮስ ከኣ ኣብ ኣፍደገ በዓቲ ረኸበቶ ከይዳ'ውን ኣብ እግሩ ወደቐት። ንሱ ክሳብ ኣብዚ መጺእኪ "ሮም ኬድኪ ኣርሳንዮስ ርኤዮ ኢልኪ ከተውርዱ እሞ ናይታ ሃገር ኣንስቲ ኩለን ክመጻ መንገዲ ከተርእዩየን ዲኺ፡ በላ ንሳ ከኣ፡- "እግዚአብሔር እንተዘይፈቐደ ዝኾነ ሰብ ናብ'ዚ ክመጽእ ኣይክእልን እዩ፡ እንተኾነ ንዓይ ብጸሎትካ ኩልሳዕ ክትዝክረኒ እደሊ እየ" በለቶ።

ኣባ ኣርሳንዮስ ግን *" ኣነ ኣሐሥሥ እም እግዚአብሔር ከመ ያጥፍእ ዝክረኪ እም ልብየ"* ኣነስ ንፈጣሪየይ ዝልምኖ ምዝካርኪ ካብ ልበይ ምእንቲ ከጥፍኣለይ እዩ በላ፡ እዚ ምስ ሰምዐት ኣዝያ ሓዘነት፡ እስንክንድርያ ምስ በጽሐት ድማ ንሊቀ ጳጳሳት ቴዎፍሎስ ነገረቶ ብሰንኪ እዚ ጽኑዕ ሓዘን ክመውት እየ'ውን በለቶ። ቅዱስ ቴዎፍሎስ ግና ንሸኺ ሰበይቲ ከም ዝኾንኺ ሰይጣን'ውን ንቅዱሳን ብመልክዕ ሰበይቲ ከም ዝዋግኦም ኣይትፈልጥን ዶ ኢኺ ኣባ ኣርሳንዮስ ከምዚ ዝበለኺ በዚ ምክንያት እዩ ብዛዕባ ነፍሰኺ ኮልሳዕ ብጸሎት ይዝክረኪ እዩ ስለኺ ካብ ምጽላይ'ውን ኣየብኩረን እዩ ስለዚ ሕጂ ካብ ሕማምኺ ክትድሕኒ ኢኺ በላ። ሽዑ'ውን ካብ ሕማማ ሓወየት፡ ቅዱስ ቴዎፍሎስ ዝነገራ ተረዲኣ ከኣ ደስ እናበላ ናብ ሃገራ ኣተወት።

ሊቀ ጳጳሳት ቴዎፍሎስ'ውን ንኣባ ኣርሳንዮስ ናብ ዘለዎ በረኻ ከይዱ ምእንቲ ክረኽቦ መልእኽተኛታት (ልኡኻት) ምስ ለኣኸሉ ኣባ ኣርሳንዮስ ከኣ ንሸኻ እንተ መጻእካ ክቐበለካ እየ ንኻኻ እንተ ተቐቢለ ካልኦት ንዝመጹ ውን ኩሎም ክቐበል እየ። ኻኹሉ ዝቐበል እንተኾይነ ኣብዚ ቦታ'ዚ በይነይ ምንባር ኣይክእልን እየ ክብል መለሰሉ። ነዚ ምስ ሰምዐ ሊቀጳጳስ ቴዎፍሎስ ናተይ ምኻድ ዝዕንቅፎም እንተኾይኑ ይትረፈኒ በለ፡ ቅዱስ ኣርሳንዮስ ንውዳሴ ከንቱ ክሳዕ መጨረስታ ፈጺሙ ዝጸልእን ካብዚ ዓቢ ጸር ዝረሓቐን ነበረ።

ሓደ መዓልቲ ካብ ኣገልገልቲ ንጉሥ ዝኾነ ተለኣኣኻይ ንኣባ ኣርሳንዮስ ናይ ሓደ በዓል ጸጋ ዘመዱ ናይ ውርሻ ደብዳበ ሒዙሉ መጸ፡ እቲ ደብዳበ ኣባ ኣርሳንዮስ ነቲ ሃብቲ ምእንቲ ክወርስ መዋቲ ዘመዱ ከም ዝተናዘዘሉ ይገልጽ።፡ ኣባ ኣርሳንዮስ ነታ ደብዳበ ክቐዳ ክብል ከሎ እቲ ዝተላእከ ሰብ ኣብ እግሮም ብምውዳቕ " ኣብ ልዕለይ ጸገም ስለ ዝበጽሓኒ ኣይትቐደዳ ምስ በሎ ከይቐደዳ ሓደጋ፡ ኣነ ቅድሚ እዚ ሰብ'ዚ ዝሞትኩ ስለዝኾንኩ ናቱ ወራሲ ክኸውን ኣይክእልን እየ ከኣ በሎ። ኣሕዋት ምኽሪና ኣብ ዝበልዎ እዋን እውን " ኣብ ዝዛረበሉ ግዜ ዝጠዓሰሉ ነገር ስኢነ ኣይፈልጥን። ኣብ ሱቕ ምባለይ ግና ጣዕሳ ኣየጋጠመንን" በለ።

ቅዱስ ኣርሳንዮስ ብብዝሒ ብኽያት ቅርኒብ ዓይኑ ኩሉ ረጊፉ ነበረ፡ ፸ ዓመት ኣብ ሮም፡ ፴፩ ዓመት ኣብ ገዳመ ኣስቄጥስ፡ ፺ ዓመት ኣብ ምስሪ፡ ፲ ዓመት ኣብ ኣድባራት እስክንድርያ፡ ፪ ዓመት ከኣ ኣብ ደብረ ምስሪ ብምቕማጥ ኣብ መበል ፻ ዓመቱ ዓረፈ።

***ናይ ቅዱስ ኣርሳንዮስ ልመናኡን በረኽቱን ይሕደረና ኣሜን።***

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ጻድቕ ቅዱስ ኣቡነ ሊባኖስ ዘደብረ ወርቅ ሃም

ዝርከበሉ ቦታ ካብ ሰንዓፈ ደቡባዊ ምዕራብ ካብ ዛላምበሳ ንምዕራብ ከባቢ ናይ ሰለስተ (3) ሰዓት ብእግሪ ርሒቕ ይርከብ። ኣቡነ ሊባኖስ ትውልዲ ዓዱ ሮማዊ ኮይኑ ካብ ኣቡኡ ንጉሥ ኣብርሃም ካብ ኣዲኡ ንግሥቲ ማርያም ፫ (3) ሐምለ ተወልደ ዕለት ፫ ጎዳር ከኣ መኣርገ ዲቁና ትቐቢኡ ዕድሚኡ ንመርዓ ምስ በጽሐ ኣመርዓውዎ። ኣብቲ ዕለት መርዕኡ ግን በቲ ኣብ ልቡ ዝነበረ ናይ ምንኵስና (ምምናን) ባህጊ በታ መዓልቲ መርዕኡ ቅዱስ ገብርኤል መልኣኽ መጺኡ *"ሊባኖስ ሊባኖስ ሊባኖስ ፃዕ እምቤተ መርዓከ"* ኢሉ ሠለስተ ግዜ ጸውዖ ንሱ ጸውዒት ስሚዑ ኣቤት በለ። እቲ መልኣኽ "ንዓ ውጻእ ተንሥእ ካብ ኣቦኻ ተፈለ ንሸኻ ናይ መንግሥተ ሰማያት መርዓዊ እምበር ናይ ዓለም መርዓ ዊ ኣይኮንካን" በሎ። እዚ ናይ ኣቦኻ ርስትን ሃብትን ንብረትን ክሓልፍ እዩ ምስ በሎ ናበይ እየ ዝኸይድ እንታይ ክገብር ኢሉ ነቲ መልኣኽ እንተሓተቶ እቲ መልኣኽ ንዓ ጥራይ ኣነ ክመርሓካ እየ ኢሉ ለይቲ ኣቡኡ ከይሰምዐ ካብ

ጐድኑ ተንሢኡ ክሽይድ እናመርሐ ናብ ኣቡነ ጳኩሚስ ኣብጽሐ። ኣባ ጳኩሚስ በዓቲ ሂቡ ኣስኬማ ዘመላእክት ቅናተ ዮሐንስ ኩሉ ሥርዓተ ምንኵስና ኣስተምሂሩ መጋቢት ዕለት ፳፩ (21) ኣመንኵሱ ምስቶም ፰ (8) ቅዱሳን ከምዝራኸብ ገበሮ። ድሕሪኡ እቲ መልኣኽ ናብዚ ሕጂ ደብረ ሊባኖስ ተባሂሉ ዘሎ መርሐ። ኣብኡ ናይ ብዙሓት ኣቦ ከም ዝኸውን ነገሮ። ኣብ ከባቢ ኣኽሱም እውን ተቐመጠ። ፯ (7) ዓይነት ማየ ጸሎት ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ካብ መሬት ኣፈልፈለ። ድውያንን ሕሙማትን ፈወሰ፡ ዕውራት ኣብርሀ። ካብ ኣኽሱም ማዕዶ ስግር መንጽር ዘላ በዓቲ ኮይኑ ክጽሊ እንከሎ ሓደ መዓልቲ ካብ ዘፈልፈሎ ማይ ጸሎት፡ ታራ ማይ እዩ ኢላ ሓንቲ ሰበይቲ ወዳ ሓዚላ ክትቀድሕ መጸት ሸተት ኢላ ወደቐት እሞ እቲ ሕፃን ሞተ። ነቲ ዝሞተ ወዳ ጸልዩ ብመስቀል ባሪኹ ኣተንሥኡ። እቲ ዝተንሥአ *“ዛቲ ዕለት ትትባረክ ዕለተ ምትየ ወልደትየ እሰመ ኣንሥኣኒ ኣምላከ ሊባኖስ”* ኢሉ መስከረ። ነዚ መንፈሳዊ ስራሕ ዝረኣዩ ካህናት ቀኒኦም ምትሃት እዩ ኢሎም ኣብ ልዕሊኡ ነቲ ሕዝቢ ኣድማ ፈጠሩ። ንሱ ኣብ ወንጌለ ዮሐንስ ብዝርከብ *“እመኑ በማብርዮ”* ብስርሐይ እመኑ እናበለ ኣረዲኡ ብዝበለጸ ነቶም ካህናት ኣንቀጥቀጦም። ኣቡነ ሊባኖስ ነዚ ቦታ እዚ ገዲፉ ለቒቐ ክሽይድ ክብል እንከሎ። ኮኮናቶም ሒዞም ናብኡ መጽኡ ኣቱም ደቂ እቲ እኩይ ኣብ ልዕሌይ ኮናት ኣይተልዕሉ ጐይታ “ብጥራዩ ዝተቐበልኩሞ ብጥራዩ ሃቡ” ዝበሎ ዘክሩ ኣይትዘንግዑ ኢሉ ተንሢኡ ደርቃ ናብ ዝተባህለት ቦታ ከይዱ ነዞም ክፉኣት ሰባት ን3 ዓመት ምሉእ ዝናም ከምዘይዘንም ጸለየ። ኣብቲ ዝኸዶ ቦታ ከም ልማዱ ጸልዩ ካብ ከውሒ ማይ ጸሎት ኣፈልፈለ። ኣብዚ ሓደ ዓቢ በዓቲ ሰራሑ ክነብር እንከሎ እቶም ዝጸልእዎ ሰባት ብድርቂ ተወዳእና ዝናም ክዘንመና ጸልየልና፡ ናብ ፈጣሪ ኣማልደልና፡ ብጌጋ ሓሚናካ ኢና ኢሎም ኣብ ቅድሚኡ ምስ ቦኸዩ ንሱ ከኣ ይቕረ ኢሉ ምስ ፈጣሪ ብኣማላድነቱ ኣተዓረቐም። ሽዑ ብጸሎቱ ዝናም ዘነመ ብግብሩ ከኣ ኣመኑ ድሕሪኡ ጠራቒት ናብ እትበሃል ሃገር ከይዱ ድርቂ ዝበዝሓ ሃገር ስለ ዝነበረት እቲ ነቐጺ ከም ዝጠፍእ ገበረ። ጽጋብ ከኣ ኮነ ድሕሪኡ ናብታ ኣቐዲሙ ርእይዋ ዝነበረ ጽብቕቲ ቦታ ምድረ ኣስቦት(ግራርያ) መጺኡ በዓቱ ሒዙ ተቐመጠ። ብዙሓት መነኮሳት'ውን ኣውጽኡ። ሕጂ እውን እቲ መልኣኽ መጺኡ ካብዚ ውጻእ እዚ ቦታ'ዚ መቐመጢኻ ኣይኮነን። ኣብዚ ቦታ እዚ ካልእ ሰብ ሓደ ዓቢ ምስ እግዚኣብሔር ንብዙሓት ዘተዓርቕ ክወጽእ እዩ። እዚ ቦታ'ዚ ናይ መነኮሳት ቦታ ክኸውን እዩ ኢሉ ብለይቲ ኣምጺኡ ናብ ኣኽሱም ወሰዶ። ዓቢ ታሪኽ እትሰርሓሉ ቦታ ክመርሓካ እየ በሎ። ሒዙ ናብ ምድረ ኤርትራ ደብረ ወርቅ (ሃም) ኣምጽኡ። ኣብ ደብረ ወርቅ ሃም ንዝነበረት ቤተ ክርስቲያን ቅድስት ድንግል ማርያም ንኣርብዓን ሓደን ፵፩ (41) ዓመት ኣገልገላ። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ኣቡነ ሊባኖስ እናጸለየ እንከሎ ብመልክዑ ዝተሳሕባ ኣዋልድ ከባቢ (ሃም) ተኺሓሒለን ተቐናኒነን ተመርዓወና እናበላ ኀሽስሕትኡ ሕፍረተን ተቐሊዐን ናብቲ ዝጽልየሉ ዝነበረ ብዓቲ መጺኤን ይፍትንኡ ነበራ። እዚ ክገብራ ከለዋ ከምቲ ኣብ ገድሉ ዝሕብሮ *“ወሜጠ ገጾ ሊባኖስ በቍጥዓ ውስተ በዓት”* ማለት ኣቡነ ሊባኖስ በቲ ተግባረን ተቒጢዑ ናብ በዓቱ ገጹ መለሰ። ብልዕሊኡ ኮይነን ከኣ ሸናሉ ሸዑ ብቕጥዓ ከምዚ ኢሉ ረገመን *“ኣዋልደ ሃም ርጉማን ደናግለ ኢይትረክባ በውሰቴትክን”* ኣዋልድ ሃም ርጉማት ኣባኽን ደናግል ኣይረኽባ ኢሉ ረገመን። ከምቲ ኣብ (መዝሙር 34÷21) “ክፉእ ንክፉእ ሰብ ይቕትሎ፡ ንጻድቕ ዝጸልኡ ክቡኑኑ እዮም” ዝብል እዘን ሰባት እዚኣተን ዓስቢ ክፍኣተን ካብ እግዚኣብሔር መርገም ተቐበላ። ብድሕሪ'ዚ ኣቡነ ሊባኖስ መቈሚኡ ገይሩ ነቲ ምድሪ ወቕየ። ማይ ካብኡ ፈሎቕ በለ እሞ ነቲ ማይ ንላዕሊ ኪይወጽእ ኣዘዞ እቲ ማይ ድማ ንታሕቲ ፈሰሰ። ክሳብ ሕጂ በቲ ጸድፊ ናይቲ ደብሪ ይፈስስ ከም ዘሎ እቲ ቦታ ዝነጥበሉ መንጠብጥቦ ተባሂሉ ይጽዋዕ ኣሎ። ኣብቲ ቦታ ጉድጓድ ኮሚትካ ማይ ከተውጽእ ግን ኣይከኣልን እዩ።

ኣቡነ ሊባኖስ ካብኡ ካብቲ ቦታ ተበጊሱ ክሽይድ እንከሎ መልኣኽ እግዚኣብሔር መጺኡ እዚኸ ንመን ትገድፎ ኣለኻ እዚ እዩ ቦታኻ በሎ፡ ንሱ ከኣ ኣነስ ንኢየሩሳሌም እየ ተበጊሰ ምስ በሎ እቲ መልኣኽ እዚ ንዓኻ ከም ኢየሩሳሌም

እዩ። ኣብዚ ኣገልግል በሎ። ሽዑ ካብቲ ቦታ ናብ ማይ ሳግላ ከይዱ ንመሓመድ ፃዕዳ ዝበሃል ረኸቦ። ኣብቲ ቦታ ዝረኸበሉ ምኽንያት ኣብቲ ግዜ እቲ ድርቂ ኮይኑ ከሎ ሰብ ንባሕሪ እኳ ከይዱ እንተ ነበረ፡ መሓመድ ፃዕዳ ግን ሰበይቱ ጥንስቲ ስለ ዝነበረት ንባሕሪ ክወርድ ኣይከኣለን። ካብቲ ቦታ ኩመል እናኣረየ ንመግቦም ይምእርር ነበረ እሞ አቡነ ሊባኖስ መጺኡ “እንታይ ደኣ ትገብር እዚ ወደይ፡” ምስ በሎ ኩመል ይኣሪ በሎ። ሽዑ አቡነ ሊባኖስ ብድንጋጸ ተላዒሉ በቲ መቈሚኡ ገይሩ ነቲ ከውሒ ምስ ሃረሞ ጽሩይ ማይ ኣውጽኣሉ። ንበረኸት ንክሽውን ናብቲ ቦታ ዝኸዱ ኣመንቲ ኢዶም አእትዮም ንገጾም ይድህስሱሉ።

በዚ አቡነ ሊባኖስ ዝገበሮ ተኣምር መሓመድ ፃዕዳ ብኣምላኽ ኣመነ። ኣጥሚቹ ከኣ ገብረ ክርስቶስ ኢሉ ሰመዮ። ሽዑ አቡነ ሊባኖስ ንገብረክርስቶስ “ካብ ሎሚ ጀሚርካ ንሸኻ ናተይ ረድኢ (ረድኢ፡ ሓጋዚ) ኢኻ” በሎ “ምስ ሞትኩ ናብዚ እተምጽኣኒ ንሸኻ ኢኻ” በሎ ንሱ ከኣ “ከመይ ጌረ እየ እሞ ክፈልጥ” ኢሉ ሓተቶ። ድሓን “ከምዚ ምልክት ክትርኢ ኢኻ፡ ቀስተ ደመና ካብ ሰማይ ናብታ ዝሞትኩላ (ዝዓረፍኩላ) ቦታ በታ መዓልቲ እቲኣ ክትትከል እያ፡ ብኣ ከኣ ትፈልጥ” በሎ። ከምዚ ኢሉ ኃኸባቢ ዓዲ ግራት ከደ፡ እሞ ድሕሪ ነዊሕ እዋን ጥሪ ዕለት ፫ (3) ኣብታ ዝተወለደላ ዕለት ድሕሪ ፩፻፵ (140) ዕድሚኡ ኣብኡ ዓረፈ። ከም ቃሉ ውን እቲ ቀስተ ደመና ተተኺሉ የመልክት ነበረ። ዝኾነ ኮይኑ ግን እቶም ከባቢ ክፈልጥዎ ስለ ዘይከኣሉ ሓንቲ ላም ናብቲ ሬሳ ናብ ኣቦና ከይዳ ትልሕሶ ነበረት እሞ ንገዛኣ ምስ ከደት ክትሕለብ ከላ ደም ትሕለብ ነበረት። በዚ ዝተሸገረ ዋናኣ ደድሕሪኣ ወፊሩ እንተተኻታተላ ናብቲ ሬሳ ከደት ሽዑ እቲ ሰብኣይ ርኣዮ፡ ክቐብሮ ከኣ ነቲ ሕዝቢ ናይቲ ዓዲ ጸውየ። እቶም ሕዝቢ ተኣኪቦም ነቲ ሬሳ ከልዕ ልዎ እንተበሉ ኣበዮም ሽዑ ገብረክርስቶስ መጺኡ ነቶም ሕዝቢ ግደፉ ባዕለይ ከልዕሎ እየ ኢሉ ኣልዓሎ። ሽዑ እቶም ሕዝቢ ነዓና ኣብዩና ከመይ ጌሩ ንዕኡ ተላዒልሉ ብምባል ጠንቂላይ እዩ፡ እዚ ብስራይ እዩ ኣልዒልዎ እናበሉ ኣቐምጦ በልዎ። ካልኣይ ሳልሳይ ግዜ ከልዕልዎ እኳ እንተ ፈተኑ ክለዓለሎም ስለ ዘይከኣለ ገዲፎሞ ከዱ።

ገብረክርስቶስ ካብቲ ቦታ ተሰኪምዎ ኣብ ማይ ጐንዲ ዝተባህለ ቦታ ኣዕረፈ እሞ ብበረኸት ኣብቲ ቦታ ማይ ወጸ። ካብኣ ተሰኪሙ ኣብታ መጀመርያ ዝተኣከቡላ ማይ ሳግላ ኣዕረፈ። ኣቐዲሙ በተን ኣዋልድ ምኽንያት ነቲ መሬት ረጊምዎ ስለ ዝነበረ ንበረኸትን ንምስክርነትን ኃኽትከውን ጥራይ ቁሩብ ማይ ኣውጸኣት። እምበር ከምቲ ናይ ማይ ጉንዲ ብዙሕ ኣየውጸኣትን። ክሳብ ሕጂ ክረምቲ ኮነ ሓጋይ ኣይትነጽፍን እያ፡ ነቲ ሕዝቢ ንበረኸት ከም ጸበል ድኣ ተገልግል እምበር ንዝስተ ኣይትጠቅምን (ኣይተገልግልን)።

ካብኡ ተበጊሱ ናብቲ ሃም ዝተባህለ ደብሪ በጽሐ። ልክዕ መቓብር ሰብ እተኣክል ኣብ ለማጽ ኰዓተ፡ ምስ ኰዓተ ግን ማይ መልኣት እሞ ንማይ ጸሎት ትኹን ኢሉ ካብኣ ንምዕራብ ርሕቐ ኢሉ ኮኺቱ ቀበሮ። ኣብታ መቓብሩ ቤተ ክርስቲያን ተሰሪሓ ኣላ። እቲ ደብሪ ከኣ ደብረ ወርቅ (ደብረ ሊባኖስ) ተባሂሉ ይጽዋዕ ኣሎ። እታ ቤተ ክርስቲያን ብወርቂ ተሰሪሓ (ተለቢጣ) ከም ዝነበረት ድሓር ብመሓመድ ግራኝ ከም ዝፈረሰት ጸኒሓውን ከም ዝተሰርሐት ብእኡ ደብረ ወርቅ ተባሂላ ተጸውዐት።

እታ ቤተክርስቲያን'ውን ሃፀይ ገብረመስቀል ዝሰርሓ ምኻና ዘመልክት ጽሑፍ ኣብቲ ደወል ናይታ ቤተክርስቲያን ተጻሒፉ ይርከብ። ካልእ'ውን ብኢድ ቅዱስ ገብርኤል መልኣኽ ንኣቡነ ሊባኖስ ዝተዋህበት መስቀል ከም ዘላን ብዙሓት ጥበበኛታት ከምኣ ኃኽሰርሑ ከም ዝፈተኑን፡ ከምኣ ክሰርሑ ከምዘይከኣሉን ኣብቲ ገዳም ዘለዉ ኣቦታት ይዛረቡ። በዚ ኸኣ እቲ ቦታ በቲ መርገም ዘኣክል ማይ ከም ዘይነበሮን ሕጂ ግና ሓጽብታትን ዲጋታትን ሰሪሑም ይነባበሩ ከም ዘለዉ ይፍለጥ። ገብረክርስቶስ ግን ሠለስተ ውላድ ከም ዝወለደ ሓውንታይ ዓኸረን በገኖን ከም ዝበሃሉን ሕጂ ናቶም ዘርኢ ኣብ ኣረገን ኣብ ምሓዝ ኣብ እግሪ ኣበው ከም ዘለዉ። እዚ እግሪ ኣበው ዝበሃል ዘሎ ኣቐዲሙ እንዳ መስቀል ዓቢ ገዳም ከም ዝነበረን፡ ደሓር ግን ከም

ዝተሰወረን በዚ ምኽንያት እቲ ዓዲ እግሪ አበው ተባሂሉ ይጽዋዕ ኣሎ።

ኣብ ደብረ ሊባኖስ (ሃም) ሬሳታት ናይ ቅዱሳን ኣቦታት ከይፈረሰ ሥግኣም ከይበስበሰ ክሳብ ሎሚ ኣብኡ ከምዘሎን ኣብኡ ኬድካ ብዓይንካ ከተረጋግጽ ዝከኣል ሓቂ እዩ። እዚ ድማ ሓደ ካብቲ ተኣምራታዊ ቦታታት ከም ዝተንቐሳቐሰን ክሳብ ንምድሪ ኢትዮጵያ ሠለስተ ግዜ ከም ዝዘራን ይፍለጥ። ኣብዚ ከኣ *"ኣባ ሊባኖስ መጣዕ"* ዝበሃል ዓቢ ገዳም በዓል ብዙሕ ታሪኽ መሥረተ። ንመጀመርታ ግዜ ሓጸይ ገብረመስቀል ብስሙ ቤተክርስቲያን ሠርሓሉ። ስሙ ከኣ ደብረ ወርቅ በሎ። ጻድቕ ኣቡነ ሊባኖስ ምሉእ መሬት ኤርትራ ዘይሩ ዝባረኸ ኣቦ እዩ። ንኣብነት፡- ኣብ ጉጺዓ ዞባ ደቡብ እንዳ ኣባ መጣዕ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ናይ ሃገር ቅርሲ ኣስከሬን ቅዱሳን ክሳብ ሕጂ ከይፈረሰ ዝርከቦ ኣቡነ ሊባኖስ ዝባረኾ ቅዱስ ቦታ ኣሎ። ተንሚኡ ናብ ሃገርና ኤርትራ ዞባ ደቡብ ከባቢ ሰንዓፈ ብፍላይ ስሙ ከኣ መጣዕ ናብ ዝብሃል ቦታ ወሰዶ። ኣብዚ ቦታ እዚ ምዉት ኣተንሥአ፣ ዕዉር ኣብርሀ ዓበይቲ ተኣምራት ሠርሐ። ከምኡ እውን ኣብ መወዳእታ በታ ዝተወልደላ ጥር ዕለት ፫ (3) ድሕሪ 140 ዕ ድሚኡ ዓረፈ። ታሪኽ ናይ ኣቡነ ሊባኖስ በዚ ኣይነበረን ግን ንኣንበብቲ ብመጠኑ ከም መዘኻኸሪ ካብዚ ተበጊሶም ከኣ ነቲ ሰፊሕ መጽሓፈ ገድሉ ከምኡ እውን ስንክሳር ተመልከቶም ምእንቲ ብሓጺሩ ተጻሒፉ ኣሎ።

ክቡራት ሕዝበ ክርስቲያን ዓቕምና ብዘፍቅዶ ሌላ ምስ ኣቡነ ሊባኖስን ገዳሙን ካብ ብነዊሕ ብሓጺር ካብ ባሕሪ ብጭልፋ ነዚ ይመስል ነቲ ገዳም ብዓይንና ርኢና ካብ በረኸቱ ተሳተፍቲ ክንከውን ናይ እግዚኣብሔር ሠናይ ፍቓድ ይኹነልና። ካብ ኣቡነ ሊባኖስ ዝፈረዩ ዓቢ ኣቦ መምህር ጽጌ ኣቡነ ሉቃስ ናይ ጋሽ ባርካ ጳጳስ ዓቢ ኣቦ ኣለዉ። ናይ ኣቡነ ሊባኖስ ጸሎትን በረኸትን ኣይፈለየና ኣሜን!!!

- ስላም ለሊባኖስ እምቤተ ኣቡሁ ዘወጽኣ፣
- ከመ ቃለ መልአክ ሰምዐ፣
- ኰኵሐ ዘቢጦ ማየ ኣንቅዐ፣
- ወሰላም ለኣድኅኒ ወዓዲ ኣስተዐ፣
- በውስተ ገዳም ኀቡረ ዘነበሩ ስንዐ፣

◆ ◆ ◆

## ንገዳም ደብረ ሲና ዝመሥረተ ጻድቕ ቅዱስ ኣባ ዮሓንስ ከማ ዘደብረ ሲና ዓንሰባ

ቅዱስ ኣባ ዮሓኒ ከማ ካብ ሃገረ ትውልዱ ሶርያ ናብ ግብጺ፣ በምኻድ ካብ ኣባ ጳኮሚስ መንኩስና ምስ ተቐበለ ኣብ ሓሙሻይ ዘመን 451-464 ዓ.ም.ግ ከባቢ ምስ ብዙሓት መ ነኮሳትን ንዋየ ቅዱሳት ጠምሓዝ ናብ ምድረ ኤርትራ መጺ ኡ ፈለማ ኣብ ደብረ ሰንሒት(ደብረ ሲና) ማኅበረ መነኮሳ ት ስፍራ ሙናንያን መሥረተ። ካብተን ዘለዋ በዓትታት ገሊ ኣን ብበዓል ኣባ ዮሓኒ ካብ ኣኻውሕ ተወቒረን ኣብያተ ጸሎ ት ዝነበራ እየን። እታ ቀንዲ ድማ ነባር ቤተ ክርስቲያን ዝ ኾነት እያ። እዛ ክሳብ ሎሚ ዓባይ ገዳምን መኣንገዲት ብዙ ሓት ሕዝበ ክርስቲያንን ኮይና ዘላ ጥንታዊት ገዳም ደብረ ሲ ና ካብ ኩለን ገዳማተ ኤርትራ ዋላ ካብ ኢትዮጵያ ቀዳመይ ትን ናይ መጀመርታን እያ። ኣባ ዮሓኒ ነዚ ገዳም'ዚ ክም ሥርት ዝበቐዐ ብኋ፩ (21) ግንቦት ኣብ ቤት መቕደስ ቆ ይሙ ክጽሊ እንከሎ ቅድስት ድንግል ማርያም ወላዲተ ኣም ላክ ከምቲ ቀደም ኣብ ደብረ ምጥማቕ ዝተራእየት ካብ ፀሓ ይ ፯ (7) ኢድ እናብርሀት ኣእላፍ መላእክትን ሰማዕታትን ጻድቃን ብየማናን ብጸጋማን ኣኸቲላ ስለዝተራእየት እዩ። ኣባ ዮሓኒ ካብ ሰሜን ናብ ደቡብ ኤርትራ እናተዘዋወረ ስብከተ ወንጌል ከም ዘብርሀን ኣብያተ ክርስቲያናት ከም ዝተኸለን ዝገልጽ ጭቡጥ ኣሰር ያታውን ባህላውን ነገር ይምስክር። መ ግለጺ ሓዋርያዊ ተግባሩ ከም እኒ እምባ ሓኒ፣ ተባሂሉ ዝጽዋ ዕ ዓቢ ገዳም ወይ ደብሪ ምንባሩ ዘመልክት ዑናታት ገዛው ቲ ዝርከቦ ከባቢ ጎቦ ኣባ ሓኒ (ደብሪ ኣባ ሓኒ) እውን ዝ በሃል ልዑል እምባ ዋላ እቲ ገዳም ምስ ዓነወ ቐደም ድምጹ ክሳብ ከባቢ ዓዲ ቀይሕ፣ ደብረ ቢዘን፣ ዝስማዕ ነበረ። ሕቡእ ን ባሕተውቲ ከም ዝነበርዎ ዝእመት ክሳዕ እዚ ዝሓለፈ ቀረ ባ ዘመን'ውን ኣብ ከውታ ለይትን፣ ጽምዋ ቐትርን ሓሓሊፉ ድምጺ ደወል እምኒ ስማዕ ነይሩ ኢሎም ዓበይቲ ዘዘንትውሉ መሮር ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ድኣ እናተረፈ ይኸይድ ኣሎ እምበር

ካብ ቀደም ዝጸንሐ ክሳብ ክፍላ ጥቅምቲ ክሳዕ ቅንያት አባ ዮሓኒ ፭ (5) ጎዳር ግን ብኣባጽሕ ኣወዳትን ኣዋልድን ዝ ዝውተር ባህላዊ ነገርን «ቀንዴል ኣባ ሓኒ» ዝኣርእስቱ ውዳሴን፣ ምስጋናን. . . ወዘተ። ቅዱስ ኣገልግሎቱ ኣብ ሕዝ በ ክርስቲያን ማዕረ ክንደይ ተደናቕን ቅቡልን ምንባሩ (ምኳ ኑ) ዘረድእ ኣብነት ከይኑ ክጥቀስ ይኽኣል።

**ቃል ኪዳን**

ቅድስት ድንግል ማርያም ኣብዛ ገዳም እዚኣ መጺኡ ሰመይ ዝጸውዐ፣ ዝክረይ ዝገበረ፣ ናብ'ዛ ቦታ እዚኣ ዝነገደ፣ ናብ ጌ ተ ሰማኒ መቓብረይ ከም ዝነገደ ክቕጽረሉ እየ ኢላ ቃል ከ ዳን ኣተወትሉ። እዚ ምስ በለቶ ባሪኻቶ ናብ ሰማያት ዓረገ ት ካብ ታሪኽ ቤተክርስቲያን ተዋሕዶ ኤርትራ ገጽ 18-2 0 ታሪኽ ገዳም ደብረሲና እታ በዓል እቲኣ ደብረ ምጥማቕ ተባህለት ንኻልኣይ ግዜ እውን ኣብ ፳ (20) ሰኔ ጐይታ እግዚእትነ ማርያም ፲፪ (12) ሓዋርያትን ቅዱስ እስጢፋኖ ስን ሒዙ ክወርድ ከሎ ረኣየ። ከምቲ ቀደምኣብ ሃገረ ፊልጵ ስዩስ ዝገበሮ ድማ ቅዳሴ ቀጥቢን ሠርዐ። ስለዚ ድማ ዕለት ፳፩ (21)ግንቦት፡፳፩ (21)ሰኔ ክብረ በዓል ክኸውን ተሠር ዐ ሕዝብን ኣሕዛብን ድማ ካብ ምብራኾን ምዕራብን ሰሜን ን ደቡብን ኣብኡ ድንኳናት እናሠርዑ ዓቢይ በዓል ኣብዓሉ ። ብዙሓት ሕሙማት ይፍወሱ፣ ዕውራት ይርእዩ፣ ጸማማት ይሰምዑ፣ ለምጻማት ይነጽሁ ነበሩ። ክሳብ ሎሚ እውን ብዙ ሕ ተኣምር ይግበር ኣሎ። ኣማላድነት ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ኣይፈለየና ከምኡ እውን ጸሎት ናይ ኣባ ዮሓኒ ይሓግዘና። ካብዚ ገዳም'ዚ ዝተወልዱ ዓበይቲ ኣቦታት፡

- 1. መምህር ተክለሃይማኖት አቡነ ስላማ ሊቀጳጳስ ዘገዳማ ት ኤርትራ
2. መምህር አርአያ አቡነ ጴጥሮስ ጳጳስ (ዘገዳማት ኤርትራ ) ናይ ሲኖዶስ ዋና ፀሐፊ
- ሰላም እብል ለዘኮነ ሱቱፈ፡
- ምስለ እለ ገብሩ ሰብእ ብሔረ ሕያዋን ምዕራፈ፡
- እምሥርዓተ ዝንቱ ዮሓኒ ሥርዓተ መላእክት ኢተርፈ፡
- ሕይወተ ተፀገወ ከመ ሕይወቶሙ ዘልፈ፡
- ወከመ ክንፎሙ አብቁለ ክንፈ።

***ሰንክሳር ዕለት ፮ ጥቅምቲ***

✠ ✠ ✠

## ጻድቅ ቅዱስ አባ ዮሓንስ ሓጺር

ቅዱስ ኣባ ዮሓንስ ሓጺር ኣብ ከባቢ ላዕለይ ግብጺ ዝተወልደ ክኸውን እንከሎ ወዲ ፲፰(18) ዓመት ምስ ኮነ ናይ ኣምላኽ ለውሃት አለዓዒልዎ አስኬማ ዘመላእክት (ናይ ምንኩስና ልብሲ) ክለብስ ናብ ገዳም አስቄጥስ ከደ። ኣብኡ ምስ በጽሐ "ኣባ ባይሞይ" ዝተባህለ ሓደ ኣረጋዊ ኣቦ ረኸበ። ቅዱስ ዮሓንስ ሰገደሉ እሞ ኀኽቕበሎ ከኣ ለመኖ። ኣባ ባይሞይ "እዚ ወደይ ኣብ'ዚ ገዳም'ዚ ዝቕመጡ ብኢዶም ይሰርሑ። ብመዓልትን ለይትን ይጸሙ፣ ይጽልዩ፣ ክድቅሱ እንከለዉ ብዘይምንጻፍ ኣብ ሓመድ (መሬት) እዮም ዝድቕሱ። ንሶኻ ግን ንእሽቶ መንእሰይ ስለ ዝኾንካ እዚ ኩሉ ሽግር'ዚ ኣይትኽሸን ኢኻ። ናይ'ዚ ገዳም'ዚ ናብራ ብጣዕሚ ጭንቂ እዩ'ሞ ናብ ዓለም ተመሊስካ ከም ኩሉ ሰብ ጽቡቕ ናብራ ኣሕልፍ" በሎ።

ቅዱስ ኣባ ዮሓንስ "ኣነ ኣብ ትሕቲ እግርኻ ኀኽነብር መጺኣ ኣለ፦ኩ። ስለ እግዚኣብሔር ኢልካ ተቕበለኒ ደኣ እምበር ተመለስ ኣይትበለኒ" በሎ። ኣባ ባይሞይ ንእግዚኣብሔር ብጸሎት ከይሓተተ ዝኾነ ስራሕ ኣይሰርሕን ነበረ እሞ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ዝገብሮ ምእንቲ ክገልጸሉ ስለ ኣባ ዮሓንስ ሓጺር ንኣምላኽ ለመኖ። መልኣኽ እግዚኣብሔር ተገሊጹ "ንሱ ምሩጽ ንብረት ክኸውን እዩ ተቕበሎ ኢሉካ" በሎ። ድሕሪኡ ንዮሓንስ ሓጺር ወሲዱ ናብ ቤተ ክርስቲያን ኣእተዎ። ናይ ምንኩስና ኣልባሳትውን ኣምጺኡ፣ ኣብ ልዕሊ እቲ ልብሲ ፫ መዓልቲ ጸለየ ሽዑኡ መልኣኽ እግዚኣብሔር ተገሊጹ ብትእምርተ መስቀል ኣብ ልዕሊ እቲ ኣልባሳት ኣማዕተበ።

ድሕሪኡ ንዮሓንስ ሓጺር ኣልበሶ። ካብዛ መዓልቲ እዚኣ ኣትሒዙ ተጋድሎኡን ኣገልግሎቱን ጀመረ። ኣባ ባይሞይ ኀኽፍትኖ ሓሰበ እሞ ወቒዑ "ምሳኻ ምቕማጥ ኣየድልየንን እዩ" ኢሉ ካብ በዓቱ ኣውጺኡ ኣባረሮ። ቅዱስ ኣባ ዮሓንስ ሓጺር ኣብቲ ኣፍ ደገ ዘሎ ጐልጐል ንሸውዓተ መዓልትን ለይትን ጠጠው በለ። ከምኡ'ውን ንግሆ ንግሆ እናወጽኣ "ከምዚ ምንባር ኣይየድልየንን እዩ" እናበለ ይወቕየ ነበረ።

ንሱ ግን “ኣቦይ ይቕረ በለለይ” ኢሉ ኣብ ትሕቲ እግሩ ይሰግድ፣ ኣብ ሻብዓይ መዓልቲ'ውን ናብ ቤተ ክርስቲያን ክኸይድ ኣባ ባይሞይ ወጽኡ፣ ንኣባ ዮሓንስ 7 (፯) መላእኽቲ ኣኽቢቦምዎ ኣኽሊል ኣብ ርእሱ ክደፍኡሉ ረእየ፣ ድሕሪኡ እቲ ዝፍትኖ ዝነበረ ነገር ሓደጎ። ናብቲ መንበሪኡ ከኣ ክኣቱ ፈቐደሉ።

ድሕሪኡ ኣባ ባይሞይ ሓንቲ ንቕጽቲ ዕንጨይቲ ረኺቡ ወሲዱ ንኣባ ዮሓንስ ሃቡ እሞ “እዛ ዕንጨይቲ እዚኣ ትኸላ ክሳብ ቆጽሊ ኣውጺኣ ፍረ እትህብ ማይ ኣስትያ” በሎ፡-

ኣባ ዮሓንስ ፍቕድ ኣቡኡ ዝመልእ ስለ ዝኾነ ነታ ዕንጨይቲ ተቐቢሉ ወሲዱ ተኺሉ፣ ኣብ መዓልቲ ክልተ ግዜ ማይ የስትያ ነበረ። ርሕቀት ናይቲ ማይ (12) ምዕራፍ እዩ፣ ሓደ ምዕራፍ ማለት 400 ሜትሮ ማለት እዩ። 12 ምዕራፍ ከኣ 4,800 ሜትሮ እዩ። ድሕሪ 3 ዓመት እታ ንቕጽቲ ዕንጨይቲ ቆጽሊ ኣውጺኣ ዓባይ ገረብ ኮነት። ዓንቢባ ጥዑም ፍረ ኣፍረየት፣ ኣባ ባይሞይ ካብቲ ፍረ ነቶም ቅዱሳን ኣረጋውያን ወሰደሎም፣ *“ንሥኡ ወብልዑ እምፍሬ ተኣዛዚ ወትሑት”* ናይ'ዚ ተኣዛዝን ትሑትን ፍረ እነሆ ብልዑ” በሎም።

ንሳቶም እዚ ዕዑብ ተኣምር ርእዮም ኣደነቑ። ንመማህራኖም ብትሕትና ንዝእዘዙ እግዚኣብሔር ከምዚ ዝኣምሰለ ጸጋ ንዝህብ ኣመስገኑ። ኣባ ባይሞይ ክመውት እንከሎ ቅዱሳን ኣረጋውያን መነኮሳት ኣኪቡ ናይ ኣባ ዮሓንስ ኢድ ሒዙ “እዚ ሰብ ዘይኮነ መልኣኽ እዩ ሞ ተቐቢልኩም ሓልውዎ” ኢሉ ሃቦም። ንሱ “ድሕሪ ሞተይ ኣብታ ዕንጨይት ዝተኸልካላ ኬድካ ኣብኣ ተቐመጥ። እግዚኣብሔር ዘዳለወልካ ቦታ እያ። ብዙሓት ከኣ ብኢድካ ክድሕኑ እዮም። መዘከርታኻ ኣብኡ ጸኒዑ ክነብር እዩ። ወሬኻውን ኣብ ምሉእ ዓለም ክፍለጥ እዩ” በሎ። ነዚ ኢሉ ዓረፈ፣ ብኽብሪ ከኣ ቀበርዎ።

ድሕሪኡ ቅዱስ ኣባ ዮሓንስ ሓጺር ኣረጋዊ ኣቡኡ ኣባ ባይሞይ ከም ዝበሎ ናብቲ ቦታ ከይዱ ተቐመጠ። ወሪኡ'ውን ኣብ ዓለም ምሉእ ክሳብ ዝስማዕ ዓቢ ተጋድሎ ተጋደለ፣ ኣብቲ ቦታ ከኣ ኣበምኔት ኮይኑ ተሸመ። ኣብቲ ግዜ ሸመቱ ሊቀጳጳሳት ቴዎፍሎስ ኣእዳዉ ኣብ ርእሱ ከንብር እንከሎ “ኣክዮስ፣ ኣክዮስ ኣክዮስ ዝብል ቃል ካብ ሰማይ ተሰምዐ፣ ንሱ ከኣ “ይግብኡ፣ ይግብኡ፣ ይግባኡ፣ ማለት እዩ።

ኣብ ግዜ ቅዳሴ፣ ቅዱስ ቍርባን ክቈርብ ንዘይግብኦ ይፈላልዮም ነበረ። “ሎሚ ኬድኩም ንስሓ እተዉ፣ ድሕሪኡ መጺእኩም ቅዱስ ቍርባን ሥጋሁ ወደሙ ትወስዱ” ይብሎም ነበረ። ሓደ መዓልቲ ሓደ መነኮስ ኀክበጽሐ ናብ በዓቱ ክመጽእ እንከሎ ንኣባ ዮሓንስ ደቂሱ እንከሎ ረኸቦ። ናይ እግዚኣብሔር መላእኽቲ ኣብ ልዕሊኡ ይጸቓቕጡ ክንፎም እውን ገብገብ የብሉ ነበሩ። ካብቶም መላእኽቲ ሓደ ነቲ ካልእ መልኣኽ ሕደገኒ ኣነ ክንፈይ ኣብ ልዕሊኡ ክዝርግሕ እየ ይብሎ፣ ነዚ ርእዩ፣ ንእግዚኣብሔር ኣመስገነ።

ቅዱስ ኣባ ዮሓንስ ሓጺር ብኽምዚ ተጋድሎኡ ፈጸመ።

ቅዱስ ኣባ ዮሓንስ ሓጺር ብጸሎቱን ብንብዓቱን ካብ ኃጢኣት ናብ ጽድቂ ካብ ዝመለሶም ሓንቲ ቅድስት ኣትናስያ እያ። ቅድስት ኣትናስያ ንምእመናን ትረድእ ሕያወይቲ ሰበይቲ እያ ነይራ። ሰይጣን ዝሙት ስዒርዋ ነቲ ንገዳም ትገብሮ ዝነበረት ትሩፋት ኩሉ ገደፈቶ። በዚ ዝጐሃዩ መነኮሳት፣ ሰይጣን ኣብ ጓልና ሓዲሩ ኣሎ እሞ ኣባ ዮሓንስ ሓጺር ይኺዳ ኢሎም ተሰማምዑ። ኣባ ዮሓንስ ናይ ማኅበር ትእዛዝ ብምኽባር ናብ ኣትናስያ ከደ። ናብ ውሽጢ ቤታ ኣትዩ፣ ኣብ ቅድሚኣ ኮፍ ኢሉ ገጸ ገጻ እናረኣየ ክበኪ ጀመረ። ኣትናስያ እንታይ ኸንካ ድኣ ትብኪ ኣሎኻ፡ በለቶ። ንሱ “ጽብቕቲ ስለ ዝኾንኪ የሕዚንኽኒ” ኢሉ መለሰላ። ነገሩ ስለዝገረማ እዚ ደኣ እሞ የሐጕስ እምበር የብኪ ድዩ በለቶ። ንሱ ጽብቕቲ ከም ዝኾንኪ ክትነብሪ ኣይትኽእልን ኢኺ። “ምፍራስ ምብስባስ፣ ዝሰራሕካዮን ዝፈጸምካዮን ናብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ምኽሳስ፣ ምውቃስ፣ ፍርዲ ምቕባል ስለዘሎ የብኪ እምበር ኣየሐጕሶን” ምስ በላ ብዘሎ ኩሉ ጌጋኣን ዝፈጸመቶም በደልን ተዘኪርዋ እንታይ ክትገብር ክመኽራ ከምዘለዋ ሓተተቶ።

ኣባ ዮሓንስ ካብ ኮፍ ዝበለሉ ተንሢኡ “ በሊ ሰዓብኒ” በላ። ንሳ ውን ደድሕሪኡ ተኸቲላቶ፣ ወጸት። ክትኸይድ እንከላ ብብዝሒ መንገዲ ኣእጋራ ቆሰለ። ካብቲ ተኸዲናቶ ዝነበረት

ክዳን ጨርቂ እናቕደደት ንኣእጋራ ከም ሳእኒ ብምጥምጣም ትስዕቦ ነበረት። ድሕሪ ብዙሕ ድኻም ኣባ ዮሓንስ ኣብ በዓቱ በጺሑ፡ ሓዊ ወሊዑ ጸሎት ክብጽሕ ጀመረ። ንሳ ግና ኮፍ ኣብ ዝበለትሉ ነፍሳ ካብ ሥጋኣ ተፈለየት። ናይ ሰማይ መሳልል ተዘርጊሑ መላእኽቲ ንነፍሳ ናብ ሰማይ ከዕርግዋ ረኣየ። ቅዱስ ዮሓንስ ንሱ ጸሎት ኣብጺሑ ምልስ እንተበለ ቅድስት ኣትናስያ ሞይታ ስለ ዝጸንሓቶ ኣዝዩ ጐሃየ፡ ማለት “ ንንስሓ ከይበቕዐት ቤታ'ውን ከይዓጸወት ገዲፋ መጺኣ . . . ” ካብ ክልቲኡ ሓዲኡ ከምትስእን ጌረያ እናበለ ክበኪ ጀመረ። ኣብዚ እዋን'ዚ ኣጆኻ ኣይትሕዘን። ንሳ ፈጣሪኣ ንምርካብ ካብ ቤታ (ገዝኣ) ንምውጻእን ንዓኻ ንምስዓብን ቆሪጻ ጌና ኣብ ኣፍ ደገ ገዝኣ እንከላ ጸዲቓ እያ” በሎ።
ኣባ ዮሓንስ ውን ናይ ሰማይ መሳልል ተዘርጊሑ መላእኽቲ ውን ነፍሳ ናብ ሰማይ ከዕርጉ ረኣየ። ቅዱስ ኣባ ዮሓንስ በዚ ዓይነት ንብዙሓት ኃጢኣተኛታት ዝነበሩ ምስ እግዚኣብሔር እናተዓረቐ፡ እናኣጠመቐ ብቅድስና ክነብሩ ይምህር ነበረ።
ኣብ መወዳእታ ዕድሚኡ ውን ደቂ መዛሙርቱ ቀሪቦም ናይ መወዳእታ ምኽሩ ክሓድገሎም ለመንዎ። ብዙሕ ምስ መኸሮም . . . ካብቲ ምኽርታቱ ሓንቲ “ ናይ ባዕለይ ሥጋዊ ድልየት ክፍጸም ኣይክተልን፡ ንባዕለይ ዘይሰርሖም ነገራት ኽኾልኦት ምእንቲ ክሰርሑ ፍጹም ኣይመክርን ብምባል ካብ ተሞክሮኡ ኣካፈሎም። ኣምላኽ ከዕርፎ ምስ ደለየ ቅዱሳን ጻድቃን ኣባ እንጦንዮስ፡ ኣባ መቃርዮስ፡ ኣባ ጳኩሚስ፡ ኣባ ባይሞይን የጸናንዕዎ እሞ ካብዚ ሓላፊ ዓለም ምፍላይ ክነግርዎ ናብኡ ለኣኾም። ንሳቶም ከኣ ከምዚ ኢሎም ኣረጋግእዎ። “ደስ ይበልካ እግዚኣብሔር ዘይውዳእ ሓጐስ ኣዳልዩልካ ኣሎ። ክብሪ ንዕኡ ይኸው። ጐይታና ከም ዝኣዘዞ ሰንበት መዓልቲ ካልኣይ ናባኻ መጺእና ናብ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ክንወስደካ ኢና” ኢሎም በሪኾሞ ተመልሱ። ሰንበት መዓልቲ ምስኮላቶም ማሕበር ቅዱሳን መጺኦም ብዓብይ ክብሪ ነፍሱ ናብ ሰማይ የዕረግዋ። ነቲ ረድኡ ካብቶም መላእክቲ ሓደ ናብኡ መጺኡ ኣስማቶም እናጸውዐ፡ ብኣጻብዑ እናኣመልከተ “እዚ ኣባ እገሌ እዩ” እናበለ ኣረድኦ፡ እቲ ረድኡ ነቲ መልኣኽ “እዚ ኣብ ቅድሚኦም ዘሎ ገጹ ከም ፀሐይ ዘብርህ መን እዩ፧ ኢሉ ምስ ሓተቶ” ኣበ መነኰሳት እንጦንዮስ እዩ ኢሉ መለሰሉ። ቅዱስ ዮሓንስ ሓጺር ገድሉ ፈጺሙ ናብቲ ዘገልግሎ ፈጣሪኡ ብኽምዚ ዝኣምሰለ ክብሪ ጥቅምት ዕለት ፳ (20) ዐረፈ።

***ጸሎቱን በረኽቱን ይሕደረና ኣሜን።***

- ሰላም ሰላም እብሎ በሕቂ፡
- ለዮሓንስ ሓፂር ዘነዊህ ጎሩተ ጽድቂ፡
- እምትርሲተ ዓለም በላዪ በዘይርህቂ፡
- ከመ ይለብዉ እለ ሐሠሡ ወጽሕቂ፡
- ግብረ ምንኵስና ኣርኣየ ከዊኖ ዕራቂ፡

***ሰንክሳር ጥቅምት ዕለት ፳ (20)***

◆ ◆ ◆

## ታሪኽ ጻድቕ ቅዱስ ገብረክርስቶስ መርዓዊ

***ዝክረ ጻድቅ ለዓለም ይሄሉ መዝ ፻፲፭፥ ፮ መዘኸርታ ጻድቕ ንዘልኣለም ይነብር መዝ 112፥ 6***

ስም ኣቡኡ ንጉሥ ቴዎዶስዮስ ኣዲኡ ንግሥቲ መርኬዛ ይብሃሉ። ኣቡኡ ናይ ሃገር ቈስጥንጥንያስ ንጉሥ ነበረ። ንጉሥ ቴዎዶስዮስ ፈታዊ ድኻ፡ ርህሩህ መጽዋቲ ተቐባል ጋሻ፡ ንግሥቲ መርኬዛ ድማ ለዋህ ፈራሒት እግዚኣብሔር እኳ እንተነበረት ውላድ ብምስኣኖም ግና ይሓዝኑን ይጉህዩን ነበሩ። ሓደ እዋን ድማ መርኬዛ ንቴዎዶስዮስ ከምዚ በለቶ “ጐይታይ ንእግዚኣብሔርን ንዓናን ዘሐጕስ ውላድ ምእንቲ ክንረክብ ንእግዚኣብሔር ንለምኖ” ንሱ ድማ ናብ ኢየሩሳሌም ጎኺድ እሞ መብጽዓ ንእቶ በላ። ከም ሓሳቦም ድማ ሓድግን ወራስ ዝፋን ምድራዊ መንግሥቶም ዝኸውንን ውላድ ክህቦም ንእግዚኣብሔር መብጽዓ ኣተዉ።
ልዑል እግዚኣብሔር ልማኖኦምን ጸሎቶምን ብምስማዕ ኣብ እዋን እርግናኦም ጽቡቕ ዝመልክዑ ውላድ ሃቦም።
ንጉሥ ቴዎዶስዮስ ንወዱ “ኣብደል መሲሕ” ትርጉሙ ገብረክርስቶስ ዝብል ስም ኣውጽኣሉ። ንእግዚኣብሔር ኣምላኽ ድማ ስለ'ቲ ዝገበረሎም ዓቢይ ነገር እናመስገኑ ብፍቕድ

እግዚአብሔርን ሕጉን ኹሉ ሥጋ'ውን መንፈሳውን ትምህርቲ ብምምሃር ኣዕበይዎ።
ጻድቕ ገብረክርስቶስ መርዓዊ ዓቕሚ ኣዳም ምስ በጽሐ ወለዱ ብሓባር ጓል ከሕጽይዎ ተማኸሩ። ከም ሓሳቦም ድማ ንጓል ንጉሥ ሮማ ኣሕጸይዎ። ብድሕር'ዚ ድማ ከም'ቲ ንመርዓውን መርዓትን ዝግባእ ክብሪ ገይሮም ዓቢ መርዓን ሓሳስን ገበሩ።
ኣብቲ እዋን'ቲ ናይ ቀኖስጥንጥንያ ሊቀ ጳጳሳት ዝነበረ ኣባ ቴዎፍሎስ ምስ ኩሎም ኣገልገልቲ ቤተ ክርስቲያን ብምኻን ንመርዓትን መርዓውን ዝግባእ ጸሎት ተኽሊል ብምጽላይ ባረኾም። ኣብ ቤተክርስቲያን ሥርዓተ ተኽሊል ምስ ፈጸመ ንመርዓውን መርዓትን ናብ ቤቶም ብዓ-ባን ብዕልልታን ከም ንመርዓትን መርዓ'ውን ዝግባእ ክብሪ ገሮም ኣእተውዎም። ፍርቂ ለይቲ ምስ ኮነ ብፁዕ ገብረክርስቶስ ናብቲ መርዓት ዘላቶ ቤት ኣተወ። ብድሕር'ዚ ኢዳ ብመሓዝ ኣቲ ክብርቲ ጓል ንጉሥ ፍቓድኪ እንተድኣ ኮይኑ ኪዳን ንተኣታቶ በላ። ከም ሓሳቡ ድማ ዝበላ ዘበለ ክትፍጽም ኪዳን ተኣታተዉ። ተንሚኡም ጸለዩ። ኣብ ልዕሊ ምድሪ ብገጾም ተደፊኡም ሰገዱ ኣእዳዎም ዘርጊሖም ድማ ጸሎተ ሃይማኖት ክሳዕ መፈጸምታ ጸለዩ። ጸሎቶም ምስ ፈጸሙ ክዳን መርዓ ካብ ዝባኖም ብምቕንጣጥ ኩሉ ስልማትን ወርቅን ኣብ ሳንዱቕ ኣቕመጥዎ። ብድሕሪ'ዚ ብፁዕ ገብረክርስቶስ ንመርዓቱ ኣብቲ ዘላቶ ብምኻድ ርእሳ ሰዓማ። ከም'ዚ ድማ በላ "እግዚአብሔር ይሓልኺ ካብ ኩሉ ክፉእ ፈተና ጸላኤ ሠናይት (ሰይጣን) የሓሉኺ" ኢሉ መረቕ። "ናበይ ትኸይድ ኣሎካ፡ ምስ መን ከ ተሐድገኒ ኣሎካ፡" በለቶ። ንሱ'ውን ኣነ ናብ እግዚአብሔር ኣምላኸይ እኸይድ ኣለኹ። እዚ ምድራዊ መንግሥቲ ኣቦይ ኃላፊ እዩ። ንሰኺ ግና ነቲ ዝኣተናዮ ኪዳን ሓልዊ በላ"። ብድሕር'ዚ ኣይመለሰትን ክትክልክሎ'ውን ኣይከኣለትን።
ካብታ ለይቲ እቲኣ ኣትሒዙ ጻድቕ ገብረክርስቶስ መርዓዊ ኩሎም ኣዝማዱን ቤተሰቡን ኣዕርኽቱን ድቁሳት ከለዉ ብሕትውናን ጽሙናን ዓለም መሪጹ ወጸ።
ንጽባሒቱ ኣብ ገምገም ባሕሪ ምስ በጽሐ ሓንቲ ትብገስ መርከብ ረኸበ። ስለ'ዚ እውን ገንዘቡ ከፊሉ ባሕሪ ሰገረ። ሰድርኡ ንጽባሒቱ ተንሚኡም ምስ ፈተውቶምን ኣዝማዶምን እንተኸድዎ እንትርፎ መርዓት ካልእ ኣይጸንሑምን። እቲ ዝኾነ ዘበለ'ውን እታ መርዓት ነገረቶም ኣዝዮም ሓዘኑን ጐሃዩን። ኣቡኡ ንጉሥ ቴዎዶስዮስ ወተሃደራቱ ብምልኣኽ ገንዘብ እናሃቡ ንደኻታትን ንኃለፍቲ መንገድን ክሓቱ ናብ ኩሉ ሃገራት ለኣኾም።
ድሕሪ ብዙሕ ጉዕዞን ናይ ሓደ ዓመት ግዜን ጻድቕ ገብረክርስቶስ መርዓዊ ኣርማንያ እትብሃል ሃገር በጽሐ። ኣብኣ ድማ ሓንቲ ብስም ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ዝተሓንጸት ቤተክርስቲያን ነበረት። ጻድቕ ገብረክርስቶስ ምስቶም ኣብታ ቤተ ክርስቲያን ዝነበሩ ደኻታትን ሓንካሳትን ቆራያትን ብዙሕ ስቅያትን መከራን ጥምየትን የሕልፍ ነበረ። እቶም ኣቡኡ ንጉሥ ቴዎዶስዮስ ዝለኣኾም ወተሃደራት ብዛዕ ባኡ ክሓቱ ናብቲ ቤተክርስቲያን መጹ። ኻኹሎም እቶም ደኻታት'ውን ብዛዕባኡ ሓቲቶም ገንዘብ ሃብዎም። ንሱ'ውን ምስቶም ደኻታት ተቐበለ። ብብዚሒ ጥምየትን ሽግርን ሕብሪ ቆርበት ገጹ ተቐይሩ ስለ ዝነበረ ኣየለለይዎን። ንሱ ግና ነዚ ኹሉ መከራ ክቕበል ምኽኣሉን ምጽዋት ካብ ኣቡኡ ምቕባሉን ኣሕጕሶን ንኣምላኽ ኣመስገነን። ከም'ዚ ኢሉ ድማ ንኣስታት ፲፭ (15) ዓመት ብጾምን ጸሎትን ኣብታ ቤተ ክርስቲያን ነበረ። ኣዴና ድንግል ማርያም ንሓደ ኣብታ ቤተክርስቲያን ካብ ዝነበሩ ካህናት "ጽባሕ ናብቲ ደኻታት ዝድቕስሉ ኣፍደገ ኬድኻ ብጾምን ጸሎትን ንእግዚአብሔር ዘስመረ ብፁዕ ሰብ ክትረክብ ኢኻ እሞ ምሳኻ ውሰዶ" በለቶ። ከም'ቲ ዝበለቶ ንጽባሒቱ ናብኡ ከይዱ ድንግል ማርያም ከም ዝገለጸትሉ ብሰፊሑ ነገሮ። ጻድቕ ገብረክርስቶስ'ውን ኩሉ ዛንታ ሕይወቱ ንኻልኤ ንኸይነግር ብምምሓልን ኪዳን ብምእታውን ኣማሕጸኖ። ምኽንያቱ ንኻልኤ እንተነጊሩ ናብ ኣቡኡ ክበጽሕ ከም ዝኽእል ሓቢሩ ኣብ ውሽጢ ቤተክርስቲያን ብምእታው ከም'ዚ እናበለ ጸለየ። "ኦ ርኁርኅተ ኅሊና ኩሉ ምሥጢረይ ንሰባት ነገርክለይ ሰለ'ዚ ኣብ'ቲ ክኸዶ ዝግብኣኒ ቦታ ሓብርኒ

ዝሕሸኒ ንሸኪ ትፈልጢ ኢኺ።” ብድሕር'ዚ ብለይቲ ሰብ ከይረኣዮን ከይፈልጠን ተበገሰ። ኣብ ገምገም ባሕሪ ምስ በጽሐ ሓንቲ እትብገስ ኟልባ ናብ ብሔረ በርበር ረኸበ። ጻድቕ ገብረክርስቶስ መርዓዊ ነቲ ዋና ኟልባ “ብስም እግዚኣብሔር ምሳኻ ተማልኣኒ በሎ እቶም ተሳፈርቲ እውን ተማልኣዮ በሉ፡ ምስኣቶም'ውን ተማልእዎ። ስለ'ዚ ድማ ኃያል ንፋስ ኣውሎ መጺኡ ነታ ጀልባ እናገፍዐ ኣንፈታ ቐይሩ ናብ ሃገር ቁስጥንጥንያ ወሰዶም። ጻድቕ ገብረክርስቶስ ዓደቦኡ ከም ዝበጽሐ ምስ ፈለጠ ንእግዚኣብሔር ነቡኡን ኣዲኡን ውላዶም ክርእዩ ቅዱስ ፍቓዱ ስለ ዝኾነ ኣመስገኖ። ናብ ኣቡኡ ከይዱ ድማ “እ ንጉሥ ካብ ተረፍካ ክበልዕ፡ ካብ ተረፍካ ክስቲ ፍቓድካ እንተ ድኣ ኾይኑስ ኣብ ኣፍደገ ገዛኻ ክቕመጥ በሎ። ኣቡኡ ድማ ወዱ ምኻኑ ኣይፈለጠን ነበረ እሞ ንወደይ'ውን ከም'ዚ ጌሮም እንተ ደንገጹሉ እስኪ ነዚ ሰብ'ዚ ካብ ተረፈይ መግቢ ዝህቦ መን'ዩ እናበለ ሓተተ።

ብድሕር'ዚ ክልተ ካብ ወተሃደራት ካብ ተረፍ መግቢ ክህብዎ ኣዘዞም። እቶም ወተሃደራት ድማ ብሓደ ጫፍ ንእሽቶ ዳስ ጌሮም ኣቕመጥዎ። ተረፍ መግቢ ናይ'ቲ ንጉሥ ይህብዎ ነበሩ። ንሸኻ ስራሕ ከተብዝሓልና ኣብ'ዚ መጺኻ እናበሉ ሓንሳእ ይጸርፍዎ፡ ይጸፍዕዎ፡ ይሸንሉ ብዙሕ ግፍዕ ታት ይፍጽሙሉ ነበሩ። ከም'ዚ እናበለ ድማ ብብዙሕ ስቓያትን መከራን ፲፭ (15) ዓመት ኣብ ቤት ኣቡኡ ነበረ።

## ቃል-ኪዳን

ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ እውን ቅድሚ ዕረፍቱ መጺኡ ከም ኩሎም ቅዱሳን ቃል ኪዳን ኣተወሉ። ስሙ ንዝጽውዕ፡ ብስሙ ንድኻታት ዝምጽውት፡ ብስሙ ሠናይ ነገር ዝገብር፡ ቤተ ክርስቲያን ዝሓንጽ፡ ክምሕር ምኻኑ ቃል ኪዳን ኣተወሉ። ብድሕር'ዚ ቅድሚ ዕርፍቱ ነቶም ክልተ ወተሃደራት ወረቐትን ብርዕን ከምጽኡሉ ብስም እግዚኣብሔር ለመኖም። ንሳቶም'ውን ኣምጽኡሉ። ኣብ ወረቐት ዛንታ ሕይወቱ ጸሓፈ።

ብሰላም ከም ፍቓድ እግዚኣብሔር ብ፲፬ (14) ጥቅምቲ ዓ ረፈ። ካብዛ ኃላፊትን ግዝያዊትን ዓለም ናብታ ዘይትሓልፍን ዘልዓለማዊትን ኢየሩሳሌም ሰማያዊት ሓለፈ። ቅዱሳን መላእኽቲ ብኽብርን ምስጋናን ነፍሱ ናብ ገነት ኣእተዉዋ።

ብድሕር'ዚ ንሊቀ ጳጳሳት ኣባ ቴዎፍሎስ ኣብ ቤተክርስቲያን ንሥርዓት ቅዳሴ እናተዳለወ እንከሎ “ቀ-ርባንካ ክባረኽ ነቲ ወዲ እግዚኣብሔር ካብ ቤት ንጉሥ ቴዎዶስዮስ ኣምጽኣዮ” ዝብል ቃል ሰምዐ። ኾይዱ እንተ ኣረጋገጸ ድማ ሓቂ ኾይኑ ረኸቦ። ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ጻድቕ ገብረ ክርስቶስ እታ ዝጸሓፋ ወረቐት ኣብ ኢዱ ስለ ዝነበረት ሊቀ ጳጳሳት ኣንበባ። ብርቱዕ ብኽያት ሸኸየ። ንኣቡኡ ንጉሥ ቴዎዶስዮስ ድማ ሃቦ።

ንጉሥ ቴዎዶስዮስ ኣንቢቡ ወዱ ምኻኑ ምስ ፈለጠ። ንሱን ሰበይቱ መርኬዛን ብሓንሳእ ሸኸዩ። መርዓት ወዶም እውን ምስኣቶም ሸኸየት። ስለ'ዚ ድማ ብኽብርን ብዓ- ባን ንሊቃነ ጳጳሳት ብዝግባእ ገይሮም ናብ ቤተ ክርስቲያን ወሰድዎ። ኣብኡ ሥግኡ ምስ ተንከፉ ብዙሓት ሕሙማትን ድውያትን ሓወዩ። ቤተሰቡን ሕዝቢ እቲ ሃገርን ድማ ነዚ ነገር'ዚ ርእዮም ንእግዚኣብሔር ኣመስገንዎ። ኣብ መወዳእታ ሓመድ ኣዳም ኣልበስዎ።

ቅዱስ ኣቦና ጻድቕ ገብረክርስቶስ መርዓዊ ብጸሎቱ ኣይፈለየና።

- ሰላም ለገብረ ክርስቶስ እንተ ኣንደየ ኣባሎ፡
- በደዴ ኣቡሁ ኣክልብት እስከነ ለሓሱ ቀ-ስሎ
- ኣዕረፈ ዮም ለእግዚኣብሔር ከመ ሰዓሎ፡
- እምነ ኣግብርት ተኰንኖ ወእም ኣፈ ኣዕማት ተጽዕ ሎ፡
- እምድኅረ ፈጸመ ወሰለጠ ኵሎ።

***ሰንክሳር ጥቅምቲ ዕለት ፲፬ ተመልከት***
***ገድሊ ገብረክርስቶስ***

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ጻድቕ ቅዱስ ኣቡነ ዘሚካኤል ዘውእቱ ኣረጋዊ ዘደብረ ዳሞ

***ላዕለ ተኾላ ወከይሲ ትፄወን፡ ወትከይድ ኣንበሳ ወከይሴ።***
***መዝ ፺፥፲፫***

*ኣብ ልዕሊ ኣንበሳን ተመንን ክትከይድ ሽደን ኣንበሳን ገበልን ክትረግጽ ኢኻ። (መዝ 91፥13)*

እዚ ኣቦ'ዚ ንገዳም ደብረ ዳሞ ዝገደመ ኣቦ ኮይኑ ትውልድ ሃገሩ ከኣ ሃገረ ሮማ እዩ። ወለዱ ካብ ወገን ነገሥታት ሮማ ኾይኖም ከለዉ ኣቡኡ ቅዱስ ይስሓቅ፣ ኣዲኡ ቅድስት እድና ይብሃሉ። እዞም ክልተ ሰብ ቃል ኪዳን ወለዲ ጻድቃን ፈራሁቲ እግዚኣብሔር እዮም ዝነብሩ። ክልተ ውላድ ወለዱ። ንሳቶም ድማ፡-

1. እቲ ቀዳማይ ቴዎድሮስ
2. እቲ ካልኣይ ከኣ ገብረ ኣምላክ (ዓብደል መሲሕ)

ኣቡነ ዘሚካኤል ኣረጋዊን እዮም።

እዚ ዓብደል መሲሕ ዝብል ስም ናይ ኣዲኡ ስም እዩ። ትርጉሙ ድማ ገብረኣምላኽ ማለት እዩ። እዚ ህፃን እዚ ብጥበብን ፍርሃት እግዚኣብሔርን ድሕሪ ምዕባዩ ናብ መምህራን ቅድስት ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን ኦርቶዶክስ ብምኻድ ብሉይን ሓዲስን ብሙሉእ ፫፩ (81) መጻሕፍቲ ኣጠቓሊሉ ተማህረ። ኣብ ጊዜ ትምህርቱ መንፈስ ቅዱስ ይሕግዞ ስለ ዝነበረ ሓደ ጊዜ እንተ ኣንቢብዎ ኣብ ልቡ ይሓድር ነበረ። ንግሆን ምሽትን ናብ ቅድስት ቤተ-ክርስቲያን ይመላለስ ነበረ።

እዞም ክቡራት ወለዲ ኣቡነ ኣረጋዊ ካብቶም ክቡራት ዝብሃለ ቤት መንግሥቲ ሮማ ጓል ኣሕጸይዎ። እንተኾነ ግን ኣቡነ ዘሚኪኤል (ኣረጋዊ) መንፈስ ቅዱስ ካብ ህፃንነቱ ኣትሒዙ ምስኡ ስለ ዝነበረ ነቲ ዓለማዊ ሕፀ ነጸጎ። ድሕሪ ነዊሕ እዋን ካብ ሃገሩ ሃገረ ሮማ ናብ ካልእ ሃገር ማለት ናብ ጽርኢ ኣቡነ ጳኩሚስ ናብ ዝርከበሉ ዓባይ ገዳም «*ዳውናስ*» ዝተባህለ በጽሐ። ካብቶም ናይ ኣቡነ ጳኩሚስ መነኮሳት ሓደ መነኮስ ንኣቡነ ዘሚኪኤል ንስኻስ ሕፃን ኢኻ ካበይ ከ መጺእኻ፡ ክብል ሓተቶ። ንሱ ድማ ካብ ሮማ እየ መጺአ በሎ። እሞ ናብ ኣባ ጳኪሚስ ድኣ ኣብጽሓኒ በሎ። ሽው ዘረብኡ ሰሚዑ ናብ ኣቡነ ጳኩሚስ ወሰዶ። ቅዱስ ኣቡነ ጳኩሚስ ርእይ ምስ ኣበሎ ኣዝዩ ተሓጉሱ ስዓሞ። ረድኤት እግዚኣብሔር ዝሓደሮ ህፃን ምኻኑ'ውን ፈለጠ'ሞ ኣዚዩ ፈተዎ።ኣቡነ ጳኩሚስ ብምንታይ ምኽንያት ናባይ መጺእካ ዝብል ሕቶ ምስ ኣቕረበሉ። እቲ መምጺኡ ብዝርዝር ሓደ ብሓደ ገለጸሉ ማለት ንምንኩስና ምኻኑ። ኣቡነ ጳኩሚስ ዝወደይ ንስኻ ወዲ ንጉሥን ንእሽተይን ኢኻ'ሞ ምንኩስና ከኣ ቀሊል ኣይኮነን። ንሱ ደሓን ኣቦይ ካብ ናይ ምድሪ መንግሥትስ ናይ ሰማይ መንግሥቲ ስለ ዝመረጽኩ ክኽእሎ ኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ክሕግዘኒ እኣምን እየ በለ። ከምዚ ድሕሪ ምባሉ ኣቡነ ጳኩሚስ በል "ኦ ወደይ ቅዱስመጽሓፍ ከተገልግል (ክትግዛእ) ክትከይድ ከሎኻ ሰብነትካ ንሕማም ኣዳሉ" ከም ዝበለ ከምቲወርቂ ብሓዊ ጊሮም ዝፍትንዎ ሓቀኛ ሰብ ድማ ብሕማምን ሽግርን ጥሜትን ጽምእን ዓቕልን ይፍትንዎ ንስኻ ድማ ገለቂሩብ ተፈተን በሎ።

ኣቡነ ዘሚካኤል ግን ብጾም፣ ብጸሎት፣ ስግደት፣ ትግሃት፣ ተራድኦ ልዕሊ ኵሎም ፈለስቲ ኮይኑ ምስ ተረኽበ ኣድነቕዎ። ስለዚ'ውን ኣቡነ ጳኩሚስ ነዚ ኩሉ ትግሃቱ ድሕሪ ምርኣይ ኣስኬማ ዘመላእክት ልብሰ ምንኩስና ኣልበሶ። ከምዚ ኢለ ከኣ ባረኾ። እግዚኣብሔር ነቦታተይ ኣባ እንጦንስ፣ ኣባ መቃርስ፣ ከም ዝባረኽ እግዚኣብሔር ኣሰኬማኻ ይባርኽልካ ብምባል ስም ምንኩስና ከኣ «*ዘሚካኤል*» ዝብል ስም ኣልበሶ። ካብ ዝውለድ ክሳብ ዝምንኮስ ወዲ ፲፪ (12) ዓመት እዩ ነይሩ። ብትግሃት፣ ብጾም፣ ብጸሎት ከኣ የገልግል ነበረ። ብጣዕሚ ፈታው ጽድቂ ኮነ'ሞ በዚ ቅዱስ ተግባር'ዚ ኣብ ኩሉ ዓለም ክሳብ ዓደቡኡ ሮማ ተሰምዐ። ናይ ሮማ ቅዱሳን ከኣ ተኸተልዎ። ዝርዝር ኣስማቶም ከኣ ከምዚ ዝስዕብ እዩ።

1. ኣባ ሊቃኖስ በዓል
2. ኣባ ኣሌፍ ካብ ቂሳርያ
3. ኣባ ይምኣታ ካብ ቁስያ
4. ኣባ ጉባ ካብ ቂልቅያ
5. ኣባ ጽህማ ካብ ኣንጾኪያ
6. ኣባ ኣፍጼ ካብ እሰያ
7. ኣባ ጸንጠሌዎን ካብ ሮማ

እዞም 7⁺ ቅዱሳን እዚኣቶም ንኣቡነ ጳኩሚስ ልክዕ ከምዚ ናይ'ዚ ሓውና ህፃን ወድኻ ዘሚካኤል ልብሰ ምንኮስና ኣልብሰና ክብሉ ሓተትዎ። እሞ ኣልበሶም። ኣቡነ ዘሚካኤል ብኹሉ ነገራት ከም ኣቦኣም ኮይኑ የገልግሎም ነበረ። ሽው ኩሉ ስርሑ ብምርኣይ እቶም ኣሕዋቱ «*ኣረጋዊ*» በልዎ። እዚ ማ

ለት ድማ ኣረጋዊ ከብሎ ዝኸኣለ መስተውዓልን ጥበበኛን ስለ ዝነበረ እዩ እምበር ብዕድመስ ካብ ኩሎም ዝናኣሰ እዩ።
ድሕሪ ቁሩብ ጊዜ ከኣ ኣዲኡ ቅድስት «እድና» ድሃይ ወዳ ዘሚካኤል ምስ ኣባ ቴዎድሮስ ኃላፊ ናይ'ቲ ገዳም ከምዘሎ ሰሚዓ ክትርእዮ መጸት። ንሱ ግና ክርእያ ፍቓደኛ ኣይኮነን ። ሽዕኡ እቶም ኣቦታት ኣይፋልካን ከምኡ ኣይትግበር ኪድ ድኣ ነዲኻ ርኣያ ኢሎም ዓቕሉ ምስ ኣጽበብሉ ኣቡነ ኣረጋዊ ነዲኡ «እድና» ክርእያ ተገደደ። ማለት እቲ ካብ ወንጌል «እንሆ ኣዴኻን ኣሕዋትካን ይደልዩኻ ኣለዉ ኣብ ደገ ደው ኢሎም ኣለዉ ምስ ተባህለ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ እንመን'ዮም ኣደይ ኣሕዋተይ ኣብ ሰማይ ዘሎ ፍቓድ ሰማያዊ ኣቦይ ዝሰርሕ» ዝበሎ ዶ ኣይሰማዕኩ ምን ኢኹም ይብል ነበረ ብዝኾነ መወዳእታ ምስ ኣዲኡ ቅድስት እድና ተራኸበ'ሞ ኣደይ እንታይ ትደልዩ ምስ በላ «ልክዕ ከምዚ ናትካ ልብሰ ምንኩስና ክለብስ'ሞ ናይ ዘልዓለም መንግሥተ ሰማያት ክወርስ» በለቶ። ኣቡነ ኣረጋዊ ኣዝዩ ተሓጐሰ'ሞ ንኣባ ቴዎድሮስ ከመንኩሳ ነገሮ ። ኣመንኵሰ- ከኣ ምስተን ቅዱሳት መነኮሳይያት ሓወሳ።ድሕሪ'ዚ ኣቡነ ኣረጋዊ ነታ ብብዝጎ ጣየታት ተምልኽ ዝነበረት ዓዱ ሮማ ወንጌል ሰበኽላን ኣእመናን። ሰብ ከይፈለጠ ከኣ ምስ ክልተ ኣርድእቲ ብናይ ***ቅዱስ ሚካኤል*** መራሒነት ብኽንፈ ተሰኪመ- ጳጳስን ንጉሥን ኣብ ዘለውዋ ቦታ ሃገረ ኣኽሱም ኣብጽሐ። ናብ ሃገሩ ሃገረ ሮማ ከይዱ ከኣ ሠናይ ነገር ዝርኣዮ ዝኾነ ነዞም ሸውዓተ(7) ቅዱሳን ምስ ኣዘንተወሎም ንሳቶም እንተኾነ'ውን ናይ ግድን ንሕና'ውንከንርእያ ክንከይድኢና በሉ። ቅዱስ ኣቡነ ኣረጋዊ ከም መራሒ ኮይኑ በቲ ኣቐዲሙ ዝረኣዮ መንገዲ መሪሑ ናብ ሃገረ ኣኽሱም ናብ'ቲ ጳጳስን ንጉሥን ኣብጽሐም።
ኣቡነ ኣረጋዊ ንኣቡነ ይስሓቅ ካልኣይ ሽሙ ***ገሪማ*** ዝኾነ ወዲ ሓብቱ እዩ። ስለዚ ኣቡነ ገሪማ ኣብዚ ጊዜ'ዚ ምስ'ዞም ሸሞንተ (8) ቅዱሳን ኣይነበረን። ኣቡነ ገሪማ እንተኾነ'ውን ወዲ ንጉሥ ቀኒጥንጥንያ ስለ ዝነበረ ኣቦኡ ምስ ሞተ ንሽዳ-ሽተ (6) ዓመት ዝኣክል ኣብ መንበረ መንግሥቲ ናይ ኣቦኡ ተቐሚጡ ብፍትሕን ብርትዕን ብቅኑዕ ፍርድን ዘገልገለ ኣቦ እዩ። ኣብዚ ጊዜ'ዚ ኣቡነ ጴንጠሌዎን ካብ መንግሥቲ ምድሪ መንግሥቲ ሰማይ ይሕሸካ'ሞ ንዓ ኢሎም ደብዳቤ ኣብ ዝላኣኩሎም ከይወዓሉ ከይሓይሩ እቲ ኩሉ ክብሪ መንግሥቲ ሓዲጉ ናብዞም ሸሞንተ (8) ቅዱሳን መበል ታሽዓይ (9ይ) ኮነ። ክመጽእ እንከሎ ብናይ ቅዱስ ገብርኤል ተራዳ ኢነት ነቲ ርሑቕ መንገዲ ብኽንፈ ስለ ዝጸሮ ብቕጽበት ነበረ። ናይ ሰማይ መላእኽቲ ድማ እናተመላለሱ ይራድእዎ ነበሩ። ከምኡ'ውን ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ይግለጸ ነበረ። ተስኣቱ ቅዱሳን ዓበይቲ ተኣምራት ይገብሩ ነበሩ፣ ምውታት የተንሥኡ፣ ሕሙማት ይፍውሱ፣ ለምጻማት የንጽሁ፣ ኣጋንንቲ የውጽኡ፣ ዕውራት ብጸሎቶም ይርእዩ፣ ካባታቶም ኣኽራናት ካብ ቦታ ናብ ዘግዓዙ፣ ባሕሪ ዘንደዱ፣ ንመስዋዕቲ ዝኾውን ሥርናይ ንግሆ ዘሪኦም ኣጋ ምሽት (ሠርክ) ኣብ ልዕሊ ዓቢ ገረብ ከም ዓውዲ ተጠቒሞም ኣኺዶም ዘእተዉ ዕንጨይቲ ኣውሊዕ ንግሆ ተኺሎም ሽዑ ንሽዑ በቕኑ፣ ዓብዩ፣ ነቂጹ ንግዚ ሠርክ ኣብ ጊዜ ቅዳሴ ንፍሕሚ ጽንሃ ዘርከቡ ብመንፈት ማይ ዝዓቈሩ፣ እቲ ማይ ድማ ከይተኻዕወ፡ካብኣቶም ብኢድ ሰብ ዘይኮነ ብኢድ መላእኽቲ ዝተገንዙ፣ ካብኣቶም ብጊዜ ጸሎት ዓሠርተ ፲(10) ኣጻብዕቶም ከም ጥዋፍ (ሽም ዓ) ዘብርሁ፣ ካብኣቶም ካብ ገጽ ሞት ዝተሰወሩን ዝተኸወሉን ነበሩ። ምድሪ ብናታቶም ኣእጋር ምርጋጽ ተባረኸት። ናይ ሃገርና መሠረት እምነት ከይኖም ከኣ ተረኸቡ።
ንኣቡነ ኣረጋዊ ከኣ ከም ኣቦኣምን መምህሮምን ከም ሓለቓኣምን ኣምላኾምን ገይሮም ኣፍቀርዎ ኣኽበርዎ። ንነዊሕ ጊዜ ብሓደ ድሕሪ ምጽንሖም ነቲ ብሓደ ምንባሮም ስለ ዘይፈተውዎ በበይንና ንኹን ንፈላለ ተባሃሃሉ'ሞ ተፈላለዩ። ከከም ሕሳቦም መንፈስ ቅዱስ ኣብ ዝሐበሮም ዘዝመርሖም ኩዱ።
ብፍላይ ***ንኣቡነ ኣረጋዊ ዕድሉ ገዳም ደብረ ዳሞ*** ኮነት። እታ ጎቦ ኣዝያ ነዋሕ ብምኻና ንምድያባ
ኣሸጋሪት ነበረት ምድያባ ክኣ ሰኣነ እሞ ናብ ኣምላኽ ጸሎት ምስ ገበረ ብናይ ቅዱስ ሚካኤል ተራዳኢነት
ሠላሳ(30)ሜትሮ ዝቕመቱ ገበል ከደይቦ ተኣዚዙ መጸ።
ኣቡነ ኣረጋዊ ነቲ ገበል ጭራኻ ኣውርዶ'ሞ ኣደይበኒ በሎ። እን ተኾነ እቲ ገበል ናብቲ ንሱ ዘለዎ ጭርኡ ኣየውረደን እንታይ ድኣ እቲ ጭርኡ ኣብቲ ፍርቂ ጸድፊ ጥራይ በጺሑ ነበረ።

እቲ ገበል ልክዕ ከም ሰብ ብናይ ሰብ ቋንቋ ኣንታ ፈላሲ ኣብዚ እምባ'ዚ እንታይ ኣሎካ ስማዕ! ክነግረካ ኣብዛ እምባ እዚኣ ብጀካ ዝነፍሩ አዕዋፍ፣ ትበልያ እንጌራ ይኹን ትሰትዮ ማይ፣ ወይ ድማ ተጽልለሉ ዕንጨይትን ገረብን የሎን። ብመዓልቲ ፀሓይ፣ ብለይቲ ቁርን ኣሳሓይታን እዩ ናይ'ዛ እምባ'ዚኣ ጥሪትን ሃብትን እዚኣቶም ጥራይ እዮም ክብል ተዛረቦ።

ኣቡነ ኣረጋዊ ግን ስቕ ኢልካ ጥራይ ጭራኻ ኣውርድ ዝተኣዘዝካዮ ፈጽም "እግዚኣብሔር እቲ ዝደለናዮ ኣየስእነናን'ዩ በሎ'ሞ ጭርኡ ኣውረደ **ሊቀ መላእክት ቅዱስ ሚካኤል** ድማ እቲ ኣራዊት ኣብ ልዕሊ ኣቡነ ኣረጋዊ ክፉእ ነገር ምእንቲ ከይፍጽምን ከየደንግጸን ብየማናይ ኢዱ ሴፍ መዚዙ ይሕልዎ ነበረ።

ረድኡ ኣባ ማትያስን ካልኦት ስዓብቱን ግን በቲ የማናይ ሓብሊ (ገመድ) መደየቢ ኮይኖም ይድነቑን ይርእዩን ነበሩ።

ኣቡነ ኣረጋዊ ግን ናይ መንፈስ ቅዱስ ሰብ ስለ ዝኾነ ገጹ ብስም ሥላሴ ዓቲቡ። ሽዑ ጭሩኡ ሓዘ'ሞ እቲ ገበል ኣደየቦ። ካብኡ ድማ ናብቲ ላዕሊ ወንጨፎ። ብሓንሳእ ከኣ ኣብ'ቲ ርእሲ እቲ **ቅዱስ ደብሪ** በጽሐ።

ኣብ'ቲ ዝባን ገዳም ወጺኡ ፫ (3ተ) ጊዜ ሰጊዱ «ሃሌ ሉያ ለአብ፣ ሃሌ ሉያ ለወልድ፣ ሃሌ ሉያ ወለመንፈስ ቅዱስ» ኢሉ ስለ ዘመስገነ ከኣ «ደብሪ ሃሌ ሉያ» ተባሂላ ትጽዋዕ እያ። ካብቲ ኩሉ ቦታታት ዝተፈልየት ስለ ዝኾነት ከኣ ኣዝዩ ፈተዋ። ኣእጋር ዕቡያትን ተኻሃርትን ክድይብዋን ክረግጽዋን ኣይኽእሉን። ኃያላት'ውን ኣጽዋር ሒዞም ክድይብዋ ኣይኽእሉን። ክፉእ ዝፍጽሙ ናብኣ ኣይ ድይቡን ብፍቓድ ቅዱስ ኣቡነ ኣረጋዊ እንተ ዘይኮይኑ። ስለዚ ኣ-በኣ ምሕዳርን ምንባርን ፈተዋ። ምክ፬ያቱ ፈታዊ ጽሞና ስለ ዝኾነ። ቅዱስ ያሬድ እንተኾነ'ውን ኣብቲ ድጓዕ ዝተባህለ መጽሐፍ ጽቡቕ ጌሩ ኣመስጊንዎ ኣሎ።

ስም እቲ ደብሪ ከኣ ደብረ ዳሞ ኢልና ኔርና ትርጉሙ ከኣ **ሃጸይ ገብረመስቀል** መደያይቦ ሰሪሑ ብሜላ ምስ ኣቡነ ኣረጋዊ ተራኺቡ ኔሩ'ሞ ኣቡነ ኣረጋዊ ግን መደያይቦ ክገብረሉ ፍቓደኛ ስለ ዘይነበረ እዚ ጌርካዮ ዘለኻ መደያይቦ «ዳህምሞ ኣፍርሶ» ምስ በሎ "ዳሞ" ክበሃል ኽኢሉ።

□□□□□ኣብ ውሽጢ'ቲ ገዳም ብጸሎቱ ዝወጸ ማይ ጸሎት ኣሎ። ብዙ ናይ ስገም ጥሕኒ በቲ ማይ ተላዕጢጡ ንኣመንቲ ሕዝቢ ከም ጸበል ኮይኑ ዝተፈላለዩ ሕማማት ኣብ ምፍዋስ ይርከብ ኣሎ።

ጸበል ኣቡነ ኣረጋዊ ንዝጥቀምን ዝኣምንን ዝእመንን ሕንዚ ተመን ኣይቐትሎን እዩ። ጸበል ኣቡነ ኣረጋዊ ንሕበጥ ፍቱን **መድኃኒት** እዩ። ኣቡነ ኣረጋዊ ክሳብ ሕጂ ኣብ ደብረዳሞ ኣብ ውሽጢ በዓቲ ተሰዊሩ ደኣ እምበር ገጽ ሞት ኣይረኣየን ክሳብ ጊዜ ምጽኣት ከይ ሞተ ክጸንሕ ምኻኑ መጽሓፈ ገድሉ ይነግር።

***ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኵሉ ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።***

- ሰላም ለዘሚካኤል ዘተሰምየ ኣረጋዊ
- እስመ ሑረቱ ጥበብ ወፍናዊሁኒ ልባዌ፣
- ምስሌሁ ጎቡረ ዘበኣሐዱ ህላዌ፣
- ወሰላም ለቅዱሳን ዘተሰነዓዉ ስንዓዌ፣
- ከመ በጸሎቱ ይሥዓሩ መንግሥቶ ለዓርዌ፣

***ሰንክሳር ዕለት ፲፬ ጥቅምቲ***

***ገድሊ ኣቡነ ኣረጋዊ ጻድቕ***

✠ ✠ ✠

## ታሪክ ጻድቕ ቅዱስ ኣቡነ ተክለሃይማኖት

እዚ ቅዱስ ኣቦ እዚ ቁጽሪ ትውልዱ ካብ ኣዳም መበል ፷፫ (63) ትውልዲ ኮይኑ ጸጋዘኣብ ካብ ዝተባህለ ሌዋዊን እግዚኣንታ ካብ ዝተባህለት ኣደን ኣብ ሸዋ ንነዊሕ ግዜ ውላድ ስኢኖም ምስ ጸንሑ ዕለት ፳፬ (24) ታጎሣሥ ተወልደ። ቅድሚ ምውላዱ ክልቲኦም ወለዱ ሕሩይ ንዕኦምን ንኣምላኽን ዘስምር ውላድ ምእንቲ ክህቦም ናይ ቅዱስ ሚካኤል ዝኽሪ ወርኃዊ ዓመት ምሉእ ንነዳይንን ድኻታትን ካህናትን ይዝክሩ ነበሩ። ሓደ መዓልቲ ብናይ ሞተሎሜ ዝተባህለ ከሓዲ መስፍንነት ወራር ኣብ ዓዶም ተኻየደ እሞ እግዚእኃረያ ምስ ኩሎም ደቂ ዓዳ ተማረኸት። ካህን ፀጋዘኣብ ግን ብናይ ቅዱስ ሚካኤል ተራዳኢነት ወተሃደራት ደድሕሪኡ ክሕዝዎ ምስ ቀረቡ ናብ ሓደ ባሕሪ ኣትዩ ንሠለስተ (3) መዓልታት ተሓቢኡ ወጸ። ንዓዱ እንተመጸ ዋላ ሓደ ሰብ ብምስኣኑ ኣዝዩ ሓዘነ። እግዚእኃረያ ግን ኣዝያ መልክዓኛ ስለዝነበረት እቲ መስፍን (ንጉሥ) ከኣ ኣዝዩ ዝሙት የፍቅር ስለዝነበረ ዝማረኽኩመን ጽቡቓት ደቀንስትዮ ኣምጽኡለይ ባሃሊ ነበረ እሞ ወተሃደራት ምእንቲ ክፈትዎም ብቕድድም ገሊኦም ኣነ ኣብ በቕለይ ክጸዕና እየ፣ ገሊኦም ክዳነይ ክኸድና እየ እናበሉ ናብ ንጉሥ ኣብጽሕዋ ንንጉሥ'ውን ነገርዎ'ሞ ረኣያ። ምስ ረኣያ እዚኣስ ከምተን ካልኦት ደቀንስትዮ ኣይኮነትን ኣዝያ መልክዓኛ እያእሞ ኣብ ልዕሊ እተን 10 ኣንስተይ ኣንጊሡ ንጣያት መስዋእ

ቲ ገይረ እንተወሰድክዋ እዩ ንዓይን ንጣያትን ክብሪ ዝኸውን እሞ እኽለማይ ክሳብ ዝዳሎ ኣብ ፍሉይ ቦታ ኣልባስ መንግሥቲ ኣልቢስኩም ኣቐምጥዋ በለ። ንሳ ግን ን8 መዓልቲ ዝኣክል መግብን ድቃስን ኣብይዋ ንኣምላኽ ጥራይ ትልምን ነበረት። «ውላድ ክትህበኒ እንተኪይንካ ካብቲ ቅቡእ ቀሺ ጸጋዘኣብ ደኣ እምበር ካብዚ ከልቢ ዝኾነ ውላድ ወይ ምርኻብ ዝብሃል ኣርሕቐለይ ኦ ቅዱስ ሚካኤል የለኻን ዲኻ ክሳብ መዓስ ኢኻ እተጸብየኒ ዘለኻ እናበለት ብቡሁሕ ትብኪ፡ ብለይቲ ትጽልን ነበረት» ። ድሕሪ 8 (፰) መዓልቲ ዘድሊ ድግስ ተገይሩ ብታዓጀብቲ ናብ ቤተ ጣያቱ ወሰድዋ። ሽዑ ሞተሌሚ እዘን ውሑዳት መዓልታት ከም ሚእቲ ዓመት ጠዓምኣ። ማለት ካብ ፍቕራ ዝተላዕለ፡ ናብቲ ቤተ ጣያት እናኸዱ እንከለዉ በርቅን ነጐዳን ኮነ። ቅዱስ ሚካኤል ከኣ ንቅድስቲ እግዚእኃረያ ነጢቑ ወሰዳ። ኣብ ቅድሚ ካህን ጸጋዘኣብ ሰጊዶ በኣያ ከኣ ኣብጽሓ። ካህን ጸጋዘኣብ ኣብ ቤተክርስቲያን ይዓጥን ነበረ'ሞ መስቀል ኣሳላማ።

“ ኣንቲ ሓፍተይ እንታይ ደኣ ካብዘን ኣዋልድ ነገሥታት ትመስሊ ግን ተኸተልቲ ዘይብልኪ።” ኢሉ ሓተታ። ንሳ እወ ካብ ኣዋልድ ነገሥታት እየ ሞተሌሚ ዝተባህለ ንጉሥ ወራር ጌሩስ ሃዲመ እየ መጺኤ የግዳስ ንሰኻ እውን ሰበይትኻ ተማሪካ ኣላ እሞ ቅያራ ክኾነካ በለቶ።

ንሱ ሰበይተይ ክትመጽእ እያ በላ። ካብ ምርኮ ክትመጽእ በለቶ ንሱ እንኳን ካብ ምርኮ ካብ መቓብር'ውን ክትንሥእ እምነት ኣለኒ በላ። ሽዑ እቲ ለቢሳቶ ዝነበረት ልብሲ መንግሥቲ ከፊታ ገጻ ኣርኣየቶ ኣነ እግዚእኃረያ ሰበይትኻ እየ በለቶ ካህን ጸጋዘኣብ ነቲ ኹሉ ዝገበረ ኣምላኽ ኣመስገኖ። ክማረኹ እንከለዉ ዕለት ፲፪(12) መጋቢት ነበረ። ካብዚ ኩሉ መከራ ዝወጸሉ ዕለት ከኣ ፳፬ (24) መጋቢት ነበረ። ሽዑ ለይቲ ኣብ ሕልሞም ኣብ ውሽጢ ገዝኡም ኣምደ ብርሃን ሰማይ ጠቀስ ረኣየ። ብጐኑ ከኣ ብዙሓት ከዋኽብቲ ከቢቦም ተራእዩዎም። ሞተሌሚ ን፳፭ (25) ዓመት ዝኣክል ልቡ ኣንቢዙ ነበረ። እቲ ዝውለድ ከኣ ተክለሃይማኖት ምኻኑ ቅዱስ ሚካኤል ገለጸሎም። ኣብዚ ዕለት'ዚ ተክለሃይማኖት ተወንሰ ዕለት ፳፬ (24) ታሕሣሥ ከኣ ተወለደ። ውልድ ምስ በለ ድሕሪ ፴ (40) መዓልቲ ንጥምቀት ናብ ቤተክርስቲያን ወሰድዎ። ስሙ ከኣ ፍሥሓጽዮን ሰመይዎ። ብህፃኑ እንከሎ «አሐዳ ኣብ ቅዱስ፡ አሐዱ ወልድ ቅዱስ፡ አሐዱ መንፈስ ቅዱስ» ኢሉ ኣመስገነ። ከምኡ'ውን ካብ ግዜ ህፃንነቱ ኩሉ ገንዘቦምን ድኻታት ሂቦም ኣብ ዝወድኡሉ እሞ ኣብቲ ሃገር ብርቱዕ ጥሜት ኣብ ዝኾነሉ ንናይ ቅዱስ ሚካኤል ዝኽሪ ዝኸውን ምስ ሰኣኑ ሓደ መዓልቲ ካብ ደገ ንገዛ ከተእትዎ ነዲኡ ኣመልከታ። ንሳ ግን ኣየስተውዓለቶን እሞ በኽየ። ሽዑ ከተእትዎ ናይ ግድን ምስ ኮኖ ኣእተወቶ። ኢዱ ናብ እንዳ እኽሊ ኣቅንዐ እሞ እኽሊ መልኣ። ሽዑ ምስ ተረድኣቶ ዘሎ መትሓዚ ኣቕረበትሉ እሞ ኩሉ እቲ ገዛ ሃብቲ መልአ። እንዳ ዘይቲ ዘይቲ፡ እንዳ ጠስሚ ጠስሚ፡ እንዳጨው ጨው፡ እንዳ ሓርጭ ሓርጭ ዝኽር ናይ ቅዱስ ሚካኤል ብጽቡቕ ሓለፈ። ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ጥሙይ ኩሉ ጸገበ። እቶም ሕዝቢ ኣብ ሕሜትኦም ገሊኦም በዚ ሎሚ ጥሜት፡ እዚ ኹሉ ካበይ ኣምጺኦሞ ይብሉ ነበሩ።

ድሕሪ ሸውዓተ ዓመት ካብ ኣቡኡ መዝሙር ዳዊት፡ መጻሕፍቲ ነብያት፡ ሰሎሞን ኩሉ ዘሎ ሰማንያ ወኣሓዱ ተማህረ እሞ ንዲቁና ናብ ጳጳስኣባ ጌርሎስ ከደ። ገና እናኸዱ እንከለዉ ነቲ ጳጳስ ከምዚ ኢሉ ተገልጸሉ ነዚ ዝመጸካ ዘሎ ሰብ ኣይተቐበሎ፡ ነቲ ሕፃን ከኣ ዲቁና ሃቦ፡ ንብዙሓት ነፍሳት ዘድሕን እዩ እሞ መርቆ በሎ። ሽዑ ጸጋዘኣብ ነቲ ሕፃን ኣብ ደገ ሓዲግዎ ናብ ጳጳስ ኢድ ነሥኣ። እቲ ጳጳስ እቲ ሕፃን ከ ድኣ ኣበይ ኣሎ፡ በሎ። ጸጋዘኣብ ኣብዚ ደገ ኣሎ በሎ። ኣምጽኣዮ በሎ'ሞ ኣምጽኦ። እዚ ወደይ ኣነ ንዓኻ ክባርኽካ ዘይኮነስ ኣነ እየ ካባኻ ዝባረኽ ኢሉ ስዓሞ። ንሠለስተ ሱባኤ ዝኣክል ካብ ቅድሚኡ ከይፈለዮ ምስኡ ኣቐነዮ። ንዓዱ ክምለሱ እንከሎ ዝተፈላለዩ ተኣምራት እናኣርኣየ ተመልሰ። ማለት ስንቂ ስለዘይነበሮም፡ ከምኡ'ውን መደቀሲ ንሓደ ክወቕየም ዝመጸ ሰብኣይ ብጸሎቱ ሓዲግ ሰማይ ሓዲግ ምድሪ ጠልጠል ኣበሎ ምስ ለመንዎ ከኣ እንደገና ብጸሎት ኣውረዶ'ሞ ኣብ ገዝኡ ከኣ ብኽብሪ ኣሕደሮም። ካልእ ማይ ጸምኡ

ብጸሎት ኣቡነ ተክለሃይማኖት ማይ «እምነበ አልቦ» ኣፈል ፈሉ ስተዩ።
ኣቡነ ተክለሃይማኖት ኣቐሚ ኣዳም ኣብ ዝበጽሐሉ አቦኡ ጸጋዘኣብ ብዘይ ፍቓዱ ንመርዓ ግዲ በሎ «ብዝሑ ወተባዝሑ ወ ምልእዎ ለመሬት» ዝብል ከኣ ጠቐሰሉ ኣቡነ ተክለሃይማኖት ኣነ ጐዲለ እሞ
ንምድሪ እንታይ ይተርፋ ብምባል ኣበየ። ሽዑ ክልተ ወለዲ ብዘይፍቓድ ወዶም ሓንቲ ጓል ክቡራት
ሰባት ዝኾነት መርዓት ኣምጽኡሉ'ሞ ከይተራኸቡ ድሕሪ ቁሩብ መዓልቲ ሞተት።
ኣቡነ ተኽለሃይማኖት ከኣ ተሓጐሰ ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ሰብ ሸዋ እምነቶም የባላሸው ኣለዉ ክብል ናብ ጳጳስ ኣቡነ ጌርለ ሞስ ምስ ከደ ኣባ ጌርሎስ ቅብዓ ክህነት ቀብየ። ኣብ ልዕሊ ኩሉ ምድሪ ሸዋ ከኣ ሊቀ ካህናት ሸሞ።ካብዚ ቀጺሉ ብዛ ዕባ መንግሥቲ ዘንን መንግሥቲ ዳዊትን ይብል። ማለት ዘእ ልመክኑ ንዛን ይኩኖ ኣምላክ ርእሲ ደርሆ ከምዝበልዐ እሞ ንመንግሥቲ ብኢድ ኣቡነ ተክለሃይማኖት ተቐብአ። በዚ ም ኽንያት'ዚ ላስታውያን ንኣቡነ ተክለ ሃይማኖት ኣይፈትውዎ ን እዮም። ድሕሪ'ዚ ሓደ መዓልቲ ዋልያታት ጤለ-በዱ ኣራ ዊት ክሃድን ምስ ብጸቱ ናብ በረኻ ወፈረ እሞ ጐይታ ኢየ ሱስ ክርስቶስ ኣብ ክንፈ ቅዱስ ሚካኤል ተሰቒሉ ንኣቡነ ተ ክለ ሃይማኖት ሃዳናይ ኣራዊት ክትከውን ኣይግብኣካን በሎ። ሃዳናይ ነፍሳት ክትከውን ስለ ዝመረጽኩኻ እዚ ስራሕ'ዚ ስራ ሕካ ኣይኮነን ብምባል ከልከሎ።
ምስኡ'ውን ቅዱስ ሚካኤል ሰምካ ፍሥሓጽዮን ዘይኮነስ ተኽ ለ ሃይማኖት ይኹን በሎ። ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ ሥ ልጣነ ጽጽስና ሃቦ። ሓዲሰ ሓዋርያ ናይ ኢትዮጵያ ክኸውን ከምዘለዎ ነገሮ። እሞ ከምታ ዝተባህላ ናብ ስብኩተ ወንጌል ተበገሰ። ፈለገ ፈይ ኣብ ምድሪ ከተታ እተባህለ ቦታ ንዝኾኑ ሕዝቢ ስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ጸውዓሎም ክ ቐትልዎ ደለዩ። ምኽንያቱ ኣብ ሓንቲ ሰይጣን ዝሓደራ ኦም የምልኹ ስለ ዝነበሩ። ብምንታይ ዲኹም ተምልኹ: ኢሉ እ ንተ ሓተቶም እቲ ዘምልኽዎ ኦም ነገርዎ።
ንሱ በሉ ኣነ'ውን ምሳኻትኩም ሓቢረ ክሰግድ ተማልኡኒ በ ሎም ተማሊኦሞ እናኸዱ እንከለዉ እቲ ኣብታ ኦም ዝነበረ ሰይጣን ነቲ ምሳኻትኩም ዘሎ ተኽለ ሃይማኖት ዝተባህለ ሰብ ኣይ ኣይትማልእዎ ኢሉ ጨደረ። ሽዑ እቶም ሰባት ተኽለ ሃ ይማኖት ማለት ንስኻ ዲኻ እምነት ስለ ዘይብልካ ኣምላኽናጸ ሊኡካ እዩ'ሞ ተመለስ በልዎ። ኣምላኽኩም እንታይ እዩ ግዲ ዝብለኩም: ኢሉ ምስ ሓተቶም ንሳቶም ብቐትሪ
ዘይኮነ ብጸልማት መጺኡ «ኣነ ፈጣሪኹም፡ ድላይኩም ክገብ ረልኩም እየ» ይብለና በልዎ። ሽዑ እቶም ሕዝቢ ንተኽለ ሃይማኖት መልሲ ክሳብ እነምጽኣልካ ኣብዚ ጽናሕ ኢሎም ኣብርሑቕ ሓደግዎ። ሽዑ ኣቡነ ተኽለ ሃይማኖት ኣብ ዘለዎ ኮይኑ ንቅዱስ ሚካኤል ክህቦ ናብ እግዚኣብሔር ጸሎት ገበረ ። ገለ ካብቲ ጸሎቱ ከምዚ ዝብል ነበረ። «ለእመ ብክሙ ሃይ ማኖት መጠነ ሕጠተ ሰናፔ ወትብልዎ ለዝንቱ ደብር ፍልሰ ወይፈልሰ» ኢልካ ኢኻ እሞ እዛ ኦም ካብ ሱራ ተመንቀሳ ናባይ ትም ጻእ ዝብል ነበረ። ተማሕያ ከኣ መጸቶ።
ኡይ ኡይ! ከኣ ትብል ነበረት። በቲ ካብ ሱራ ተወርዊሩ ዝውንጨፍ ዝነበረ እምንን ሓመድን ኀ፬(24) ዝኾኑ ሰባት ሞቱ ሰይጣን ከኣ ኣብ ርእሲኣ ኮይኑ ኡይ ይብል ነበረ። እ ቲ ሰይጣን እዚ ኩሉ ምድረ-
ጽላልኽ ሓዲገልካስ ናብ'ዚ መጺእካ ከኣ ተሳቐየኒ ኣለኻ በለ ። ደሓን ዶ መንበረ መንግሥተይ ኣቀመ ኣይነበርኩን ድሕ ሪ እቶም ፲፪ን ፍ፪ን (12ን 72ን) ሰባት የዕሪፈ ነይረስ መጺእካ ዶ እናበለ ክጭለጥ ማለት ክሃድም ደለየ ኣብዘይ መዓልተይ ከይተሳቐየኒ ብኣምላኽካ ኣምሕለካ ኣሎኹ በለ። ሽዑ እታ ዕንጨይቲ ነቲ ሰይጣን ቅዱስ ሚካኤል እናኣሳቐዮ ደድሕሪ ተኽለ ሃይማኖት ትኽተል ነበረት እሞ። «ወጸርሐ ሰይ ጣን ኀበ ቅዱስ ተክለሃይማኖት ወይቤሎ ቁመኒ ኣሐተ ጊዜ ከመ እትናገ ርከ ወእክሞሰሰ ቅዱስ ወአበዮ ወሖረ። ወአውየወ ሰይጣን እንዘ ይብል ተመንደብኩ ተመንደብኩ እምህለከ ብእምላከከ ዘታመልኮ ትቁመኒ ወቆመ ሎቱ»። ሽዑ ኣቡነ ተኽለ ሃይማኖት ነታ ዕንጨይቲ ቁሚ በ ላ። ንሳ ትኽ ኢላ ደው በለት «ወይቤሎ ቅዱስ ለሰይጣን ለምንት ታስህት ሰብኦ በብሂለ እነ ፈጠርኩክሙ። ወይቤሎ ሰይጣን ኢተእምረኒኑ ከመ ሓሳዊ እነ ወእቡሃ ለሓሰት።»

ሽዑ ኣቡነ ተክለ ሃይማኖት ሓሳዊ ምኽንካን ብሓሶት ተታል
ሎም ከምዝነበርካን ነዞም ሕዝቢ ግለጸሎም በሎ። ሰይጣን ከ
ኣ ኣነ ፈጣሪኹም እየ እናበልኩ ከታልለኩም ጸኒሐ እየ'ሞ ና
ብ ኣምላኽኩምን ኣምላኽይን ድኣ ስገዱ በሎም። በሉ ኣቱም
ሰባት ሃገርኩም ሓዲገልኩም እየ። ንዓይ ዝኣምን ዝበለ ሰፈሩ
ምሳይ ኣብ ገሃነመ እሳት እዩ። ናበይ'ከ ክኸይድ እየ በለ።
ሽዑ ቅዱስ ሚካኤል ሓደጎ እሞ ከም ትኪ በኒኑ
ጠፍኣ። እቶም ዘምልኽዎ ዝነበሩ ሕዝቢ እዚ ኩሉ ተኣምራ
ት'ዚ ምስረኣዩ ተገረሙ። ንኣቡነ ተኽለሃይማኖት እምበር ን
ቅዱስ ሚካኤል እኳ ብዓይኖም ኣይርእይዎን ነበሩ። ቅዱስ
ሚካኤል ንኣቡነ ተኽለ ሃይማኖት እዚ ኩሉ ምስ ተራድኦ ን
ሰማይ ዓረገ።
ሽዑ ኣቡነ ተክለ ሃይማኖት ነቶም ሕዝቢ መሃሮም'ሞ ብሓን
ቲ ቃል ከኣ ኣእሚኑ። ኣጠመቐም። *«ወእምዝ ገብኦ ኀበ እለ
ሞቱ በውስፈተ ሠረዊሃ ለኦም»* ናብ እግዚኣብሔር ጸሎት ገበረ
እሞ ፳ (20) ዝኾኑ ነፍሳት ሰባት ተንሥኡ። መዓስ ሞይ
ትኩም፡ ኢሉ ሓተቶም። እቶም ዝተንሥኡ ብዘመነ መንግሥ
ቲ ኣብርሐ ወኣጽብሓ በሉ። ተጠሚቐኩም'ዶ፡ ኣይተጠመቐ
ናን በልዎ። ኣበይከ ትነበሩ፡ ኣብ ሓዊ ዘለዎ ቦታ በልዎ።
እንደገና ናብቶም ሽዑ ዝሞቱ 24 ሰባት'ሞ ብኣካል ተንሢኦ
ም ኣብ ቅድሚ እቶም እኩባት ዘጠመቐም መጺኦም ስለ ኩ
ሉ ዘጋጠሞም መስከሩ። በታ መዓልቲ እቲኣ 150,345 ሰ
ባት ኣጠመቐ። ሽዑ ነቶም 15 ሰባት በሉ ክሳብ ዳግም ምጸ
ኣት ናብ መቓብርኩም ኪዱ በሎም። ንሳቶም ግን ለመንዎ
። ኣቡነ ተኽለሃይማኖት ኣጆኹም ካብ ተጠመቐኩምን ካብ
ቆረብኩምን ናብቲ ዝነበርኩሞ ሓዊ ኣይትኣትዉን ኢኹም በ
ሎም። ብኻልኣይ መዓልቲ ከኣ 60409 ሰባት ተጠመቐ ቀ
ጺሉ ድርኣ ሰገድ ብዛዕባ እታ ዝተማሕወት ዕንጨይቲ ኣጉረ
ምረመ ሓንቲ ጭላፍ ካብቶም ዝፍልጹ ዝነበሩ ሰባት መጺኣዓ
ይኑ ዘበጠቶ'ሞ ወደቐ። ሽዑ ንኣምላኹ ሰይጣን ለመኖ። ሰ
ይጣን ኣሽንኺይ ዶ ንዓኻ ከድሕነካስ ንነፍሰይ'ውን ክድሕን
ኣይከኣልኩን በሎ። የግዳስ ናብ ኣምላኽ ተኽለሃይማኖት ለም
ን በሎ። ለመነ እሞ ሓወየ። ኣቡነ ተኽለ ሃይማኖት
ኣብ ግዜ እርጋኑ ማለት ናይ ስግደትን፣ የማነ ጸጋምን ምንቅ
ስቓሱ ክደክም ከም ዝደለየ ምስረኣየ ፰(8) ቅንዋት ፪(2)
ብቐድሚት፣ ፪(2)ብድሕሪት፣ ፪(2)ብየማን፣ ፪(2)ብጸጋም፣
ኣቕሙ ካብ በዓቱ ከይወጸ ንነዊሕ ግዜ ይጽሊ ነበረ። ካብ
መግብታት እኽሊ ድሕሪ ምንኩስና ዋላ ሓንቲ ኣይጠዓመን።
በጅካ ቆጽልታት፣ ንሱ ከኣ ብኽልተ ሰናብቲ እምበር ካልእ
ግዜ ኣይበልዕን ነበረ።
ፀሐይ፣ ንፋስ፣ ኣየር ከይረኣየ ኣብ በዓቱ ንነዊሕ ግዜ ተዓጽዩ
ምስ ጸለየ ካብ ብዝሒ ቁመትን ዕድመን ሓንቲ እግሩ ተቕ
ረጸት እሞ እቶም ኣርድእቱ ኣብ ትሕቲ መንበረ ታቦት ቀበ
ርዋ። ድሕሪኡ ብሓንቲ እግሩ ከኣ ን(፯)7 ዓመት ዝኣክል
ብጠጠዉ ጸለየ። ሽዑ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስን ቅድስት ድ
ንግል ማርያምን ኣእላፍ መላእክቲን፣ ፲፭(15) ነቢያት፣ ፲፪
(12) ሓዋርያት ኣኽቲሉ ቃል ሰላምታ ገበረሉ እሞ ከም'ዘ
ዝስዕብ ተዛረቦ።

## ቃል ኪዳን ክወሃብ ከሎ

1. ብስምካ ዝክር ዝገብር፣ ቤተክርስቲያን ዝሰርሕ፣ ሞባእ ዝ
ህብ፣ ዕጣን፣ ጥዋፍ፣ ሽምዓ፣ መጽሓፍ ገድልኻ ዝጸሓፈን፣ ዘጸ
ሓፈን፣ ብስምካ ኣጋይሽ ዝቐበል፣ ንዕሩቕ ዘልብስ፣ ሕሙም
ዝበጽሕ፣ ሕዙን ዝናዝዝ፣ ብዝተፈላለዩ ግብረ ሠናይ ምእንቲኦ
ምካ ጽቡቕ ዝገበረ፣ ናብ ቤተ ክርስቲያንካ ዝተሳለመ፣ ኣብ
ደብርኻ ዝተቐብረ፣ «ካብ ጉር ክሳብ ፈለገ ሸዋ» ዝተቐብረ
ናይ ዘለዓለም መንግሥተ ሰማያት ከዉርሶም እየ ኢሉ ቃል
ኪዳን ኣተወሉ። ሽዑ ቅዱስ ኣቡነ ተኽለሃይማኖት ኣበይ እየ
ዝቐበር ኢሉ ምስ ሓተተ ንዓመት ዝኣኽል ሬሳኻ ኣብዛ
ዘለኻያ ክትጸንሕ ኢኻ ድሕሪ ፶፯(57) ዓመት ግን ደቕኻ
ዓቢ ደብሪ ኣብ ውሽጢ እዚ ዋሻ'ዚ ሰሪሑም ናብኡ ከምፅዝ
ዎ እዮም በሎ። ብኽመይ ዝበለ ሕማምን ኣማውታን ከም
ዝመውት ምስ ሓተተ'ውን ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ካ
ልኦት ሰባት ፍልይ ብዝበለ ከምቲ ኣነ ኣብ ግዜ ጲላጦስ ኣ
በ ዕንጨይቲ ዝተሰቐልክዎ ኢሉ ምስ ዘከረሉ ኣቡነ ተኽለሃይ
ማኖት ብህፁፅ ጐይታይ ኣነ'ውን ክኸይድ ኣብ መስቀል ክስ
ቀል በለ። ሽዑ ጐይታ ካብ ገድልታትካ እኳ ዋላ ሓንቲ ዝ
ተረፈካ የለን ኩሉ ፈጺምካ ኢኻ። ምኽንያት ሞትካ ግን ብ

እኩይ ሕማም ብድብድ ንዓኣ ከክንዲ ስቐለትን ኣብ ክንዲ ስምዕትናን ክሓስበልካ እየ በሎ። ከምዚ ድሕሪ ምባሉ ንሰማ ይ ዓረገ።

## ንደቁ ዝሃቦ ለበዋ

ድሕሪዝ ንደቁ እዚ ኩሉ ጐይታ ዝበሎን ዕረፍቱ ከምዝበጽሐን ነገሮምን መዓዶምን ካብቲ ቃል ምዕዶታት ጸሎት ኣይ ተቋርጹ፡ ቤተ ክርስቲያን ፍተዉ፡ ብጻይኩም ኣፍቅሩ ጸም፡ ጸሎት፡ ንጽሕናን ሓዙ።ውዳሴ ከንቱ ኣይትፍተዉ። መስተ፡ ሥጋ መብልዕ ኣይተፍቅሩ፡ ሽልማትን ዘንጸባርቁ ኣልባሳትን ኣይትፍተዉ እዝን ከምዚ ዝመስልን ምዒድዎምን ተላብይዎም ን።

## ብድሕሪኡ ዝተሾመ ኣበምኔት

ብድሕረይ ከክንዳይ ዝሸየም ኤልሳእ ወደይ እዩ መዓልቱ ዕለ ት ፳፬(24) ነሓሰ ግዕዝ ነበረ። ሽዑ እታ ዝተጠቕሰት ሕ ማም ሓዘቶ። ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ቅድስት ድንግል ማርያም ፳፬(24) ካህናት ሰማይን ሊቃነ መላእክቲን ወረዱ ። ሰላም በሎም። ኣቡነ ተክለ ሃይማኖት'ውን እቲ ኩሉ ድ ኻምን እቲ ስንብራት እግሩን ከይዘከረ ብድድ ኢሉ ሰገደ። ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ በሎ፡ በል ድኻምካን ገድልኻን ኩ ሉ ተቐቢለዮ እየ። ዕረፍትኻ ኣኺሉ እዩ፡ እናበሎ ነፍሱ ካ በ ሥግኡ ተፈልየት። መላእክቲ ከኣ « *ክቡር ሞቱ ለጻድቅ በቅ ድመ እግዚኣብሔር» «ዘጻመወ በዓለም የሃዩ ለዝሉፉ» «ሰብሐት ለእግ ዚኣብሔር በሰማያት ወሰላም በምድር»* ዝብል ካብ መዝሙር ዳዊ ት ዘመሩ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶ ስ ፯(7)

ኣክሊላት ሃቦ።

1. ማለት ሓደ ምእንቲ ሃይማኖትካ ዝብል
2. ምእንቲ ሓዋርያነትካ ሃገር ሃገር ዜርካ ስለዝሰበኽካ
3. ምእንቲ ክዕወት ደምካ
4. ጣዖት ክንዲ ዘጥፋእካ
5. ኢየሩሳሌም ክንዲ ዝነገድካ
6. ምእንቲ ስብርቲ ዓጽምኻ
7. ምእንቲ ድንግልናኻን ንጽሕናኻን

## ብዝሒ ዕድመ ኣቡነ ተኽለሃይማኖት

99 ዓመትን 1ወርሕን 10 መዓልትን ኮነ። ማለት 22 ኣብ እንዳዓለቡኡ፡ 12 ኣብ ዳሞት፡ 3 ዓመት ኣብ ከተታ፡ 10ዓ መት ኣብ ሓይቅ፡ 11 ዓመት ኣብ ዳሞ፡ ብዙረት ኣብ ትግ ራይ፡ 26 ኣብ ገዳም ኣስቦት 15 ኣብ ዳዳ።

***ጸሎቱን በረኽቱን ምስኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን ።***

- ሰላም ዕብል እንበለ ኣርምሞ በጽዋኤ
- ኪያከ ኣብ ወኪያከ ረዳኤ
  - ተክለሃይማኖት መዋዒ እንዘ ትሔሊ ተስፋ ትንሣኤ
  - ኣጽንዕከ ለቀዊም ኣእጋረ ክልኤ፡
  - ወእም ስቴ ማይ ኣጎረምከ ጕርዔ።

✠ ✠ ✠

## ታሪክ ጻድቅ ቅዱስ ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ

ጻድቅ ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ ሃገሩ ግብጺ ክኸውን እንከሎ፡ ኣቡኡ ስምኦን ኣዲኡ ኣቅሌስያ ይበሃሉ። ን ፴ (30) ዓመት ዝኣክል ውላድ ብምስኣን ንእግዚኣብሔር ለሚኖም ዝረኸብዎ ውላድ እዩ። መጋቢት ዕለት ፳፱ (29) ሰንበት መዓልቲ ብ852 ዓ.ም ተፀኒሱ፡ ታሕሣሥ ዕለት ፳፱ (29) ብ853 ዓ.ም ተወልደ ዕለት ልደቱ ምስ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ እዩ ነይሩ። ደሓር ግን ናይ ቤተክርስትያን ምሁራን ማዕረ ኣምላኹ ክኸውን ስለ ዘይግባእ ታሕሣሥ ዕለት ፴ (30) ከም ዝኾነ ጌሮም። ክውለድ እንከሎ ስሙ "ኒኮላዎስ" ወይ (ኮቤዝ) እዩ ነይሩ። ምስ ተወልደ ኣብ መበል 3ይ መዓልቱ "ስብሐት ለኣብ፡ ስብሐት ለወልድ፡ ስብሐት ለመንፈስ ቅዱስ" ኢሉ ኣመስገነ። ኣባ ገብረመንፈስ ቅዱስ ክዳን ኣይተኸድነን፡ ምድራዊ ምግቢ ኣይተመገበን፡ ናይ ኣዲኡ ጡብ ኣይጠበወን፡ ኣብ መሬት ኣይተቐብረን። ምንኵስና ኣብ ገዳመ ንሂሳ፡ ኣብ ውሽጢ ግብጺ ኮይኑ ኣብኡ 300 ዓመታት ምስ ጸንሐ ናብ ሃገርና ናብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ጐይታ ፷ (60) ኣናብስት፡ ፷ (60) ኣናብርት ልክዕ ከም ፭፻፳ (120) ቤተሰብ ኮይኖም ከም ዘገልግልዎን ከምዝስዕብዎን ጌሩ ሃቦ። ንጐይታ

ነዚኣቶም ኩላቶም እንታይ ድኣ ክቕልቦም እየ ኢሉ እንተሐተተ። ጐይታ ንሸኻ ዝረገጽካዮ መሬት ይልሕሱ ኢሉ ነገሮ። በዚ መሠረት ንሱ ዝረገጾ መሬት እናለሓሱ ምስኡ ሓቢሮም እናሰዓብዎ ይነብሩ ነበሩ።

ኣብ ግብጺ ን ፫፻ (300) ዓመት ምስ ጸንሐ፣ ናብ ኢትዮጵያ ላሊበላ ሮሐ ኣተወ። ቀጺሉ ከኣ ምድረ ከብድ ናብ ዝተባህለ ቦታ ከደ። ብመንፈስ ቦትኡ ዝቕላ ምኻኑ ተራእዮ፣ ናብኡ ከይዱ ከኣ ጸሙን ጸሎቱን ቀጸለ። ንሓደ ፩፻ (100) ዓመት ዝኣክል ኣብቲ ጎቦ ኣብ ዝርከብ ቀላይ ኮይኑ ቁልቁል ኣፉ ይጽሊ ነበረ። ኣብዚ እዋንዚ ጐይታ መጺኡ ተንሥእ ካብዚ ቀላይ ውጻእ በሎ። ንሱ ግን ኣይወጽእን እየ ንሕዝቢ ኢትዮጵያ እሞ መሓረለይ ክወጽእ በሎ። ጐይታ “በናትካ ልማኖ ብናተይ ኣምላክነት ኣሚኑ ብስምካ ንቤተክርስቲያን ዕጣን፣ ሽምዓ፣ መባእ ዝሃበ ክምሕረልካ እየ” በሎ። ሽዑ ንሱ ካብቲ ቁልቁል ኣፉ ኮይኑ ዝነብሮ ዝነበረ ቀላይ ጥር ዕለት ፭ (5) ወጽኡ። ድሕሪኡ እውን ንሓደ ፩፻ (100) ዓመት ምሉእ ምስ ሰይጣን ንሱ ብመብረቕ፣ ሰይጣን ብኮናት ክዋግኡ ነበሩ። እቲ ጻድቕ ኣብ መዓልቲ ፲፻ (1000) ኣጋንንቲ እናቕተለ። በዚ ናይ ፩፻ (100) ዓመት ኮናት እቲ ጎቦ እናተፈርከሸ ካብቲ ዝነበሮ ንውሓት ቀነሰ። በዚ ምኽንያት ጎቦ ዝብሃል ዝነበረ። እዚ ድኣ እንታይ እምባ ወይ ጎቦ ኮይኑ ደይ ቆላ እዩ ተባህለ። ሎሚ ዝቕላ እናተባህለ ይጽዋዕ ኣሎ። ካብ ሰባት መብረቕ ዝተዋህቦ ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ እዩ። ካብ መላእክቲ ከኣ ቅዱስ ገብርኤል መበሥር እዩ።

ስለዚ ሰይጣን ብስም ገብረመንፈስ ቅዱስ ውጻእ እንተ ተባሂሉ ይወጽእ። ብመብረቕ ይሰንጥቕኒ ኢሉ እንተምሐሉ ኣይምለስን እዩ።

## ፈተና ሰይጣን

ኩሉ ግዜ ሰይጣን ርጉም ስለ ዝኾነ “ብርግቢ ተመሲሉ ማይ ጸሚእ ኣስትየኒ” በሎ። ንሱ ለዋህ ስለ ዝኾነ ዓይኑ ናብኣ ጠሚቱ ነታ ርግቢ እኽሲ ስተዩ በላ። ንሳ ዓይኑ ኣውጺኣ ስተየታ። ግን ቅድስት ድንግል ማርያም ብርሃናዊት ዓይኒ ኣምጺኣ ተክኣትሉ። እዚ ዝኾነሉ ሓምሌ ዕለት ፭ (5) እዩ። ኣባ ሳሙኤል ዘዋልድባ፣ ኣቡነ ኣንበስ ዘሀዘሎ፣ ኣባ ብንያም ዘምድረ ግብጽ ዝተባህሉ ቅዱሳን ኣብ ኣናብስ ተጻ ዒኖም መጺኦም ናብ ገብረመንፈስ ቅዱስ ዝቕላ ምስ በጽሑ ነቶም ኣናብሶም ናይ ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ ኣናብስት በልዕ ዎም። ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ መፍርህ ብዝኾነ ግርማ ካብ በዓቱ ወጽኡ። ኣብዚ ግዜዝ እዞም ሠለስተ ቅዱሳን እቲ ዝኾነ ኩሉ ነገርዎ። ንሱ ብኢዱ ኣጣቕዐ፣ እቶም ፷ (60) ኣናብስት ከኣ ተኣኪቦም ናብኡ ቐረቡ። እቶም ዝበላዕ ክምዎም ኣናብስት ትፍእዎም፣ ስለምንታይ ናይ ሰብ እንስሳ ትበልዑ በሎም። ንሳቶም ከምቲ ዝኣዘዞም ተፍእዎም። እዚ ዝተገብረ ጥቅምት ፭ (5) ዕለት እዩ። ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ ን ፷ (60) ዓመታት ዝኣክል እናተዘዋወረ ወንጌል ሰበኸ።

ጐይታ ፍትወይ “ገብረኣብ፣ ገብረወልድ፣ ገብረመንፈስ ቅዱስ” በሎ። ከምዚ ኾይኑ ኣብ መበል ፭፻፷፪ / 562 ዕ ድሚኡ ብ ፲፬፻፲፭ / 1415 ዓ.ም መጋቢት ዕለት ፭ / 5 ዓ ርቢ መዓልቲ ነፍሱ ካብ ሥግኡ ተፈልየት ፲፪ (12) መላእኽቲ መጺኦም ሓጺቦም፣ ገኒዞም፣ ተሰኪሞም ናብ ገነት ኣእተዉዎ። ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ ኣብ ምድሪ ኣይተቐብረን። ንሱ ሓደ መዓልቲ ካብ ሠለስተ ሥላሴ ንሓደ ካብ መንበር ማርያም ሓዚሉ ናብቲ ርእሲ እቲ እምባ ኣውጽኡ። መረዳእታ *“ኣብ በዘባኡ፣ ወልድ በዘባኡ፣ መንፈስ ቅዱስ በዘባኡ ዘሓዘልዎ በኪኡ። ገብረመንፈስ ቅዱስ ዘርእየ ምሥጢረ ሥላሴ በዓይኡ”* ይብል። ከምኡ ከኣ ጥቅምት ዕለት ፭ (5) ካብ ፈጣሪኡ ምሉእ ቃል ኪዳን ዝተዋህበሉ ዕለት እዩ። ዝቕላ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ክብረበዓል ኣለዎ ማለት ጥቅምት ዕለት ፭ / 5ን መጋቢት ዕለት ፭ / 5ን።

ኣብ ሃገርና ብስም ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ ዝተሃንጹ ኣብያተ ክርስቲያናት ኣዝዮም ብዙሓት እዮም።

- ሰላም ለከ ገብረመንፈስቅዱስ ረቡኒ፣
- ዘኣናብስተ ታሰግድ ወኣራዊተ ትቅኒ፣
- እንዘ ኢተኃሥሥ መፍቅደ ሥጋ ወኢታመክኒ፣
- ተሴስዮ ሳዕር ወተዓርዞ ቈጽል ምንተኒ፣

- አናጎሰይኮ ለዓለም ማሳኒ፡

***ጸሎቱን በረኵቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኵን አሜን።***

ምንጭ፡- ስንክሳር ፭ መጋቢት፡ ታሪኽ ቅዱስ ገጽ 73-74

✠ ✠ ✠

## ቅዱስ አቡነ ሳሙኤል ዘዋልድባ ዕለት 12 ታሕሣሥ ዝውዕል

ነዚ ቅዱስ ኣቦ ስም ኣቡኡ ቅዱስ እስጢፋኖስ፡ ስም ኣዲኡ ቅድስት ዓመተ ማርያም ይብሃል። ዓዱ ከኣ ኣብ ውሽጢ ታቡተ ጽዮን ዘላቶም ኣኽሱም (ትግራይ) እዩ። እዞም ክልተ ቡሩኻት ወለዲ ኣመንቲ ብምንባሮም ናይ ቤተ ክርስቲያን ዜማን፡ ትርጓሜ መጻሕፍትን ኩሉ ብዘለሙ ኣምሃርዎ።

ኩሉ ግዜ ምስ ወላዲኻ ስለ ዘይንበር ኣብ ንእስነቱ ንቅዱስ አቡነ ሳሙኤል ክልቲኣም ወለዶም ምስ ሞቱ ናብ ደብረ በንኮል ገዳም እንዳ አቡነ መድኃኒነ እግዚእ ኣትዩ መንኰሰ። ብጾምን ጸሎትን ዝበቅዐ ኣቦ ኮነ፡ ክምገብ እንከሎ፡ እኽሊ ኣይበልዕን ነበረ። እንታይ ድኣ ዝቕነየን ዝመጸጸን ሓምልን ዝተዘርገ ማይን እናገበረ ይናበር ነበረ።

ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ቤተሰቡ ፈሊጦም ክመጽእዎ ምስ ጀመሩ፡ ናብ ዘይረኽብዎ ዋሻ ከይዱ ብዝበለጸ ጸሙን ጸሎቱን ቀጸለ። ንዅ (40) መዓልቲ ዅ (40) ለይትን ገለ ነገር ከይጠዓመ ጾመ፡ ኣብቲ በረኻ ዝርከቡ ኣናብስትን፡ ኣናብርትን መጺኦም ይሰግዱሉን የገልግልዎን ነበሩ። ነዞም ኣራዊታት እዚኣቶም ሓንሳብ ቁመቶም ይሰፍሮም፡ ሓንሳብ እሾኽ ነቒሱ የውጽኣሎም፡ ሓንሳብ ቀሲስሎም ይደርዞም ነበረ።

ሰይጣን ብዝተፈላለየ መከራታት እኳ እንተፈተኖ፡ ንሱ ግን እምነቱ ኣብ መድኃኔዓለም ስለ ዝነበረ፡ ኣይፈርሀ፡ ኣይደንገፀ።

ሓደ መዓልቲ ጐይታ መጺኡ ኩሉ ኣካላቱ ብምራቑ ዳህሰሶ እሞ መንፈሳዊ ኃይልን ብርትዐን ተመልኦ።

ኩሉ ግዜ ለይተ ለይቲ ምእንቲ መከራ መስቀል ኢሉ ኣብ ሓደ ዓቢ ቀላይ ኣትዩ መዝሙረ ዳዊት ይጽሊ ነበረ። ብሓለንጊ ከኣ ንሰብነቱ ይቕጽዓ ነበረ።

ሓደ መዓልቲ ምስ ኣባ ገብረመስቀል ወዲ ገዳም ሊጋሶ ተራኺቦም ማለት ቅድሚኡ ብራዕይ እንተዘይ ኮይኑ ገጸ ገጽ ተረኣእዮም ኣይፈልጡን ነበሩ እሞ ምሉእ ለይቲ ዕብየት ኣምላኽ ክዛረቡ ሓደሩ። ዝበልዕዎ ድራሮም ስለ ዘይነበሮም ከኣ ካብ ሰማይ መና ወሪዱሎም ተመገቡ።

አቡነ ሳሙኤል ዘዋልድባ ን12 ዓመት ዝኣክል ምስቶም ፳፬ (24) ካህናተ ሰማይ መንበረ ሥላሴ (ጽርሐ አርያም) ዓጠነ። ቅዳሴ ክቕድስ እንከሎ ጎብስትን ጽዋዕን ካብ ሰማይ ይወርደሉ ነበረ።

ውዳሴ ማርያም ከንብብ እንከሎ ፍርቂ ሜትሮ ካብ መሬት ንላዕሊ ሓፍ ይብል። ሓደ መዓልቲ ውዳሴኡ ከንብብ እንከሎ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ክልተ ብሩሃት ዕንቁን ዕ ጣንን ሃበቶ።

ነዛ ሕጂ ዋልድባ ተባሂላ ትጽዋዕ ዘላ ገዳም ልክዕ ከም ሓንቲ መሶብ ሓፍ ኣቢሉ ናብ ኣምላኽ ወሲዱ ኣባሪኽዋ እዩ።

ቅድስት ድንግል ማርያም ኣብ ግዜ ሰደታ ኣብኡ ኣዕሪፋ ምንባራ ነገረ ማርያም፡ ድርሳነ ዑራኤል ይነግር።

ብዙሓት ሳሙኤላት ኣለዉ ማለት፡- 1. ሳሙኤል ነቢይ 2. ዘቀልሞን 3. ዘወገግ 4. ዘባማ ዝተባህሉ ስለዘለዉ ፈሊኻ ምፍላጥ ጽቡቕ እዩ።

ድሕሪ ብዙሕ ተኣምራትን፡ መንክራትን ጾምን፡ ጸሎትን ካብዚ ዓለም ኣብ ዝተፈልየሉ ቅዱስ ሚካኤል ሊቀ መላእክቲ ኩሉ ኣብ ሰማይ ዝርከብ ጽቡቕን ሕማቕን ኣርኣዮ።

ካብ ኣምላኽ ምሉእ ቃል ኪዳን ተቐቢሉ ዕለት ፲፪ (12) ታሕሣሥ ዓረፈ።

***ጸሎቱን በረኵቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኵን አሜን።***

◆ ◆ ◆

## ጻድቅ ቅዱስ አቡነ ሳሙኤል ዘወገግ

ጻድቅ አቡነ ሳሙኤል ዘወገግ አቡኡ እንድርያስ አዲኡ አርሰንያ ይብሃሉ። ሓምሌ ዕለት ፲ (10) ተወልደ። አብ እንዳ ዓለቡኡ ንንቑጽ ዓንዲ ዘቈጸለ አቦ እዩ። መጋቢት ዕለት ፳፬ (24) ብኢድ አቡነ ተክለሃይማኖት መንኮሰ። ካብቶም ፲፪ (12) አቡነ ተክለሃይማኖት ዝሸምዎም ሓደ እዩ። ንሱ ምግቢ ከይበልዐ ን ፩፻፶፭ (155) መዓልቲ ዝጸመ እዩ። እዚ ገዳም እዚ ደብረ ወገግ ዘበሎ እቲ ብጾም ምስ ወደቐ መልኣኽ መጺኡ ተንሥእ ናብ ገዳምካ ኪድ ምስ በሎ ብርሃን ስለ ዝተራእየ እዩ። ካብ ጥቅምቲ ፳፱ (29) ጎዳር ፳፩ (21) ከምኡ ከኣ ካብ መጋቢት ፳፩ (21) ክሳብ መጋቢት ፳፱ (29) ብርሃን ተተኺሉ ስለ ዝተራእየ *"ደብረ ወገግ "* ተባህለ።

***ጸሎቱን በረኽቱን ምሰ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኵን ኣሜን።***

***ዕረፍቱ ዕለት ፳፱ (29) ጥቅምቲ እዩ።***

ምንጪ፡- ታሪኽ ቅዱሳን ገጽ 107

## ብሕይወት ከለዉ ከይሞቱ ዝተሠወሩ ኣብ ብሔረ ሕያዋን ዘለዉ ቅዱሳን

1. ርእሰ አበው ሄኖክ ጥር ዕለት 27 ተሠወረ
2. ርእሰ ነቢያት ኤልያስ ጥር ዕለት 6 ተሠወረ
3. ርእሰ ጸሓፍያን ዕዝራ ሓምሌ ዕለት 21 ተሠወረ
4. ዮሐንስ ወልደ ነጐድጓድ ጥር ዕለት 4 ተሠወረ
5. ቅዱስ ያሬድ ግንቦት ዕለት 11 ተሠወረ
6. ኣቡነ ኣረጋዊ ጥቅምት ዕለት 14 ተሠወረ
7. ኣቡነ ገሪማ (ይስሐቅ) ሰኔ ዕለት 17 ተሠወረ
8. ንጉሥ ነአኵቶ ለኣብ ጎዳር ዕለት 3 ተሠወረ

## ሞይቶም ሥግኣም ኣብ መቓብር ዘይተቐብረ ቅዱሳን

1. ቅዱስ ቂርቆስ ጥር ዕለት 15
2. ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ መጋቢት ኣብ 562 ዕ ድሚኡ ዕለት 5
3. ዮሴፍ ፈሃሪሃ ለማርያም ኣብ 114 ዓመቱ ሓምሌ 26
4. ቅዱስ ዮሐንስ መጥምቕ መስከረም 2
5. ዘካርያስ ኣቦ ዮሐንስ መጥምቕ መስከረም 8
6. ዳግማዊ ቂርቆስ ወልደ ክርስቶስ ሠምራ ወዲ 3 ዓ መት

✠ ✠ ✠

## ጻድቅ ኣቡነ ሳሙኤል ዘደብረ ዋሊ (ዘዋልድባ)

ጻድቅ ኣባ ሳሙኤል ኣቡኡ እስጢኖስ ኣዲኡ ዓመተ ማርያም መጋቢት ዕለት 12 ብ 1295 ዓ.ም ተወልደ። ሳሙኤል ፀሓይ ዘደብረ ዋሊ ይብሎ። ሃገረ ትውልዱ ኣኽሱም ከባቢ ክሽውን እንከሎ ናይ ኣኽሱም ቀሺ ገበዝ ምስ ቅዱስ ያሬድ ዝምድና ኣለዎ። ናይ ኣቡነ ፊሊጶስ ደብረ ቢዘን ናይ ኣቡነ ኣሞን ዘመድ እዩ። ቅዱስ ኣቡነ ሳሙኤል ንዋልድባ ከም መሶብ ሒዙ ብጕይታ ኣባረኻ ሕጂ ኣብዚ ገዳም'ዚ ጥዑም መግቢ ምምጋብ ኣይፍቀድን እዩ። ጥሜት ኣብ ዝኾነሉ ማይ ባሪኹ ናብ ወይነ ቃና እምኒ ባሪኹ እንጌራ ጌሩ መነኮሳት መገበ። ኣቡኡን ኣዲኡን ብህፃንነቱ ስለ ዝሞቱ ናብ ገዳም ከይዱ መንፈሳዊ ትምህርቲ ብዝግባእ ተማህረ። ደሓር ኣብ ደብረ በንኰል ከይዱ ብኣቡነ መድኃኒነ እግዚእ መንኰሰ። ምስ መንኮሰ ኣብ ውሽጢ ቆብዑ እምኒ ኣእትዩ ይሰርሕ ነበረ። ወዲ ፲፰ (18) ዓመት ምንኩሱ ፲ (10) ዓመት ተቐሚጡ ናብ ዋልድባ መጽኣ። ኣብ ገዳም ዋልድባ እኽሊ ኣይበልዕን ነበረ። መረዳእታ *"ኢይበልእ ዘእንበለ ሐምል"* ይብሎ። ክሰግድ ከሎ እግሩ ክሳብ ዝሓብጥ ይሰግድ ነበረ። ብፍላይ ኣብተን ፬ (4) ኣጽዋማት ፵(40) መዓልቲ ምሉእ ምስ ሰብ ከይተራኸበ ገለ ነገር ከይጠዓመ ይጸውም ነበረ። በተን ፫ (3) ኣጽዋማት ግን ኣብ ፰ (8) መዓልቲ፡ ፪ (2) መዓልቲ ምሸት ምሸት ከምኡ ሰንበት ሰንበት ይጥዕም ነይሩ። ንሱ ዝረገጾ ሓመድ ከም ናይ ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ ኣናብስት ተዋህብዎ። ገሊኡም መጻሕፍቱን ክዳውንቱን ይስከሙ፡ ገሊኡም ከኣ ከም ፈረስ ይጽዕኖም ነበረ። ሓደ መዓልቲ ሓውን መጽሓፍን ሒዙ መንገዲ እናተጓዕዘ እንከሎ፡ ኣብ ሓደ ማይ ዝመልኣ ውሕጅ ክሳገር እንተኣተወ

ወየ ውሕጅ ኣዝዩ ብርቱዕ ስለ ዝነበረ፡ ንሓደ ፩፻ (100) ሜትሮ ሒዝዎ እኳ እንተኾደ፡ እተን ኣብ ኢዱ ዝነበራ ነገራት፡ ማለት መጻሕፍን ሓውን ገለ ከይኮና፡ እቲ ሓዊ ከይጠፍኣ፡ እቲ መጽሓፍ (ብራና) ማይ ከየባላሸዎ ወጽኣ።
ጻድቕ ኣቡነ ሳሙኤል ክቕድስ እንከሎ ንዕኡ ከይተፈለጠ ካብ መሬት ፫ (3) እመት ንላዕሊ ሰለል ይብል ነበረ፡ ስለ ፍቕሪ ቅድስት ድንግል ማርያም ውዳሴኣን ቅዳሴኣን ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ብዕድሚኣ ልክዕ ፷፬ (64) ግዜ ይደግም ነበረ። ቅድስት ድንግል ማርያም'ውን ብጣዕሚ ተፍቅሮ ስለ ዝነበረት ክቕድስ እንከሎን ክደግም እንከሎን ምስ ፲፪ (12) መላእኽቲ መጺኣ ኣብ ልዕሊኡ ትቐውም ነበረት። ኣቡነ ሳሙኤል ካብ ብቕዓቱ ብዝሒ ዝተላዕለ ምስ ፳፬ (24) ካህናተ ሰማይ መንበረ ጸባያት ፲፪ (12) ዓመት ዓ ጠነ። በዚ ከኣ ምድራዊ መልኣኽ ተባህለ። ምስቶም ኣጸቢቑ ዝፈትዎም ኣቦታት፡-

1. ኣባ ኣንበስ ዘሐዘሎ
2. ኣባ ብንያም ዘምድረ ግብጽ

ብሓደ ብመንፈስ ተጸዊየም ናብ ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ ዝቋላ ምስ በጽሑ ነዞም ኣናብስት ናይ ሰለስቲኣም ኣቦታት እቶም ናይ ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ ኣናብስት በልዕዎም እሞ ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ ጸልዩ ኣተንሥኣም። እዛ ገዳም እዚኣ ናይ ቀደም ጠፊኣ ዝነበረት ኮይና ኣቡነ ሳሙኤል እዩ ኣቕኒዕዋ፡ ን ፶ (50) ዓመት ዝኣክል ከኣ ተቐመጠ። ናይ ሓድነት ገዳም መሥረተ። ብዙሓት ሳሙኤላት ኣለዉ። ዋልድባ ዝኸበር መጋቢት ዕለት ፳፯ (27) ከምኡ'ውን የካቲት ፲፮ (16) እዩ።
ዕረፍቲ ኣቡነ ሳሙኤል ታሕሣሥ ፲፪ (12) ኣብታ ዝተወልደላ ዕለት እዩ፡ ዕድሚኡ ፩፻ (100) ብ፲፫፻፺፭/ 1395 ዓ.ም. ብስሙ ብዙሕ ቤተክርስቲያን ተሃንጸ።
***ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።***
***ምንጪ፡- ታሪክ ቅዱሳን ገጽ 102***

***ታሪክ ቅዱሳን ገጽ 107***

✠ ✠ ✠

## ጻድቕ ኣቡነ ሳሙኤል ዘሃሌሉያ

ቅዱስ ሳሙኤል ዘሃሌሉያ፡ ኣቡኡ ይርድኣነ እግዚእ ኣዲኡ ትቀድሰነ ማርያም ይብሃሉ። ሃገሩ ተንቤን መረታ ሰቁርቲ ክኸውን ከሎ መጋቢት ዕለት 26 ተወልደ ብኣቡነ ኣቡየ እግዚእ ወዲ ሓብቱ እዩ። ብህጻንነቱ መኒኑ ከይዱ ናብቲ ዓ ቢ ኣቦ ኣቡነ እንጦንስ በጽሐ፡ ኣብኡ ወዲ 14 ዓመት መንኩሰ ጸጉሩ ካብ ዝውለድ ኣትሒዙ ኣይተላጸየን በቲ ነዊሕብጸጉሩ ኣብ ዓቢ ገረብ ከይዱ ናይ ጐይታ መስቀል ብምዝካር ይእሰር ጠልጠል ኢሉ 40 መዓልቲ ምስ ጸንሐ እቲ ጸጉሩ ተበቲኹ ናብ መሬት ወደቐ። ጐይታ ሚካኤል ገብሪኤል ሒዙ ወሪዱ ኢዱ ሒዙ "ፍቁረይ ሳሙኤል እንታይ ትደሊ" በሎ። ኣቡነ ሳሙኤል ስለ ሕዝብን መነኮሳትን ሕማም ከይቐትል መሓረለይ፡ ጐይታ ኣብታ ንሸኻ ዝተኸልካያ ገዳም ሕማም ብርቱዕ ደዌ ኣያቱን እዩ ዝብል ቃል ኪዳን ሃቦ። ገዳሙ ደብረ ሃሌሉያ ተባሂሉ ይፍለጥ፡ ናብዚ ገዳም'ዚ ዝኣቱ ሰብ ከኣ መንግሥተ ሰማይ ዝኣትወሉ ምኽንያት ከይረኣየ ኣይኣቱን እዩ።
ዕረፍቱ ሓምሌ 26 ዓረፈ።
ምንጭ፡- ታሪኽ ገጽ 99

✠ ✠ ✠

## ጻድቕ ቅዱስ ኣቡነ ኣንበስ ከባቢ ሰንዓፈ

ቅዱስ ኣቡነ ኣንበስ ዘሐዘሎ ሃገር ትውልዱ ትግራይ ዓድዋ እንጨጮ ዝተወልደ ክኸውን እንከሎ ኣብዚ ቦታ'ዚ ኣቡነ ኣንበስ ዝብል ዓቢ ገዳም ኣለዎ። እዚ ቅዱስ እዚ ምስ በዓል ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ፡ ኣቡነ ሳሙኤል ዘዋልድባ ኣቡነ ብንያም ዘምድረ ግብጽ ዝነበረ ዓቢ ኣቦ ክኸውን ከሎ፡ ከም ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ ኣናብስት የገልግልዎ ነበሩ። ኣቡነ ኣንበስ ኣብ ግብጺ ዘለዉ ቅዱሳት ቦታታት ኩሉ ዘይበጽሑ የብሉን። ቅዱስ ያሬድ ደጋጊሙ ጠቒስዎ ይርከብ፡ ዕረፍቱ መስከረም ዕለት ፫ (3) ኮይኑ ኣብ ከባቢ ሰንዓፈ ብስሙ ዝጽዋዕ ቤተክርስቲያን ኣለዎ።

*ጸሎቱን በረሹቱን ምስሉልና ሕዝበ ክርሰቲያን ይሹን።*

- ሰላም ለአንበስ በፍኖተ ፃማ ወሥራሕ፡
- ዘይጼዓን ዘልፈ ዲበ አንበሳ መፍርህ፡
- ለዘይጸድቅ ብእሲ እስከ ይገብእ ፍትሕ፡
- ማይ ኢያጥፍኦ ወርደተ ዝናም ብዙኅ፡
- ለአሠረ ደሙ ቀይሕ ዘሁሎ በኰኵሕ።

*ሰንክሳር፡- ዕለት ፫ መስከረም*
*ምንጭ፡- ታሪክ ቅዱሳን ገጽ 135*

✠ ✠ ✠

## ጻድቅ ቅዱስ አቡነ አቢየ እግዚእ ዘመረታ

ጻድቅ አቡነ አቢየ እግዚእ ሃገሩ ተምቤን ትግራይ ኮይኑ ፍሉይ ስሙ ከኣ "ዘና" ይብሃል። ካብቶም ፫ (3) ውሩያት አቦታት ሓደ ክኸውን እንከሎ ነሓሴ ዕለት ፲፫ (13) ተወልደ። ዘመንኮሰ አቡነ ሳሙኤል ዘደብረ ሃሌሉያ እዩ። ኣደናቒ ዝኾነ ገዳምን ጸበልን ኣለዎ። ቅዱስ ያሬድ ደጋጊሙ ኣብ ድርሰቱ ይዝክሮ። መስከረም ዕለት ፲፱ (19) ኣብ ደብረ ሃሌሉያ መንኮሰ። ጻድቅ ኣቡነ ኣቢየ እግዚእ ኣብ አሥመራ ኣኽርያ ደብረ ብሥራት ቅዱስ ገብርኤል ክብሪ ኣለዎ።

ዕረፍቱ ግንቦት ዕለት ፲፱ (19) ኣብ መበል ፭፻፭ (105) ዕ ድሚኡ ኣብ ከባቢ ኣኽሱም ዝርከብ " ዘና ጉናይ ወይ መረታ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ተኽብሪ ተቒብረ። ኣብቲ መቓብሩ ብስሙ ዓቢ ቤተክርስቲያን ኣለዎ።

*ጸሎቱን በረሹቱን ምስሉልና ሕዝበ ክርሰቲያን ይሹን።*

- ሰላም ለመሬተ ሥጋከ ዘተውህቦ ሥልጣን፡
- ከመ ይፈጽም እምበሊዕ አፈ አራዊት ግሩማን፡
- ዓቢየ እግዚእ ጻድቅ ቅኑየ ኢየሱስ መድኅን፡
- እሥር ኃይለ ፀርየ ዘውእቱ ሰይጣን፡
- ተቃውሞቶ ኢይክል ብእሲ ምስኪን።

*ምንጭ፡- ሰንክሳር ዕለት ፲፱ ግንቦት*
*ታሪክ ቅዱሳን ገጽ 124*

✠ ✠ ✠

## ታሪክ ጻድቅ ቅዱስ መቃርዮስ ቆቋሕ ዝምገብ ዝነበረ (ዘይሴሰይ ቆቅሐ)

ቅዱስ መቃርዮስ ካብ ንእስነቱ ኣትሒዙ ንሕያው እግዚኣብሔር ምኽታል ደለየ። ቅዱሳት መጻሕፍቲ ኣጠናቒቑ ተማህረ። ናይ'ዚ ዓለም'ዚ ኃላፊነት ብምሕሳብ ንዓለም ንዒቑ ኣብ ሓደ ገዳም መንኰሰ። ካብኡ ወጺኡ'ውን ናይ 10 መዓ ልቲ መንገዲ ከደ እሞ፡ ኣብኡ ከኣ ኮዕንትን ቆቋሕን ማይን እንተዘይኰይኑ ካልእ ኣማራጺ ዘይብሉ ቦታ ነበረ።

ሓሲቡ ከምዚ በለ "ኣብ ምእራይ ኩዕንቲ እንተ ውዒለ፡ ናይ ስግደተይን ናይ ጸሎተይን ግዜ ክቋረጸኒ እዩ። ካልእ ኣማራጺ ምግቢ ከምዘየብለይ ከኣ ፈጣሪየይ ይፈልጥ እዩ ኢሉ፡ ካብታ መዓልቲ እቲኣ ጀሚሩ ቆቋሓት ብመጻወድያ ሒዙ ብጸሎቱ ናብ ሐምሊ ለዊጡ ከምዝምገብ ኮነ። ኣብ መዓልቲ ሓንቲ ቆቒሕ ከኣ ናብታ መጻወድያኡ ኣትያ ትተሃዘሉ ነበረት። ለይትን መዓልትን ብጸሎት፡ ብስግደት፡ ብትግሃት ናብ እግዚኣብሔር እናለመነ ንብዙሕ ዓመታት ጸንሐ። ናይ ሰብ ገጽ ከይረኣየ፡ ከምኡ'ውን ናይ ሰብ ድምጺ ከይሰምዐ፡ "ሰይጣን ምስ ሰብ እንተዘይኮይኑ ኣይመጽእን እዩ እሞ'ዚ ዘለኽዎ ሕላወ ጽቡቕ እዩ" እናበለ ይቕመጥ ነበረ።

ድሕሪኡ ካብ ቀሲጥንጥንያ ሓደ መነኮስ በዓቲ እናደለየ ክመጽእ ከሎ ንቅዱስ መቃርስ ቆቒሕ ክሕዝ መጻወድያ ከዳሉ ከሎ ርእዩ፡ ቀልጢፉ ናብ ናይ ከተማ ቀሲጥንጥንያ ሊቀ ጳጳሳት ተመሊሱ፡ "ብሕዝቢ ክንቅፈና ሓደ መነኮስ ሥጋ ኀኽበልዕ ብመጻወድያ ቆቒሕ ክሕዝ ርእየዮ" ኢሉ እናነቐፈ ነገሮ። እቲ ሊቀ ጳጳሳት ነቲ ዝበሎ ኀኺረጋግጽ፡ ምስኡ ምስቲ ዝነገሮ መነኮስ ሓደ ካልኣይ ወሲኹ ክዕዘብዎን ከጽንዎን ለኣኾም። ንሳቶም ከይኣተዉ ኣብ መንገዲ እንከለዉ "ኣባ መቃርዮስ" ከም ልማዱ (ኣመሉ) ናብ ምጽዋዱ ከይዱ እታ ዘጻወዳ መጻወድያ ድማ ፫ (3) ቆቒሕ ሒዛ ረኸባ። ኣብዚ እዋን'ዚ "ጐይታይ ፫ (3) ቆቒሕ ዝሃበኒስ ኀኽፍትነኒ ድዩ፡ ወይስ ኣብ ዝሓለፈ ዕለት ዶ ከብደይ ኣይጸገበትን ኮይና፡ ወይ ኀኻልእ ሰብ እዩ ከይብል ኣብዚ በረኻ'ዚ ዝረኣኽዎ ሰብ የለን" እናበለ ሓሰበ።

ከምዚ እናሓሰበ ከሎ ካብ ሊቀ ጳጳሳት ዝተላእኩ ክልተ መነኮሳት መጽዎ። ንሱ ምስ ረኣዮም ተሐጕሰ። “ሽግረይ ፈሊጥካ ነዞም ቅዱሳን ኣገልገልትኻ ምግቦም ዝኸውን ዝሃብካኒ ጐይታይ አመስግነካ ኣሎኹ” ኢሉ ሰገደ።
ንሳቶም ግን መኣዲ ኣዳልዩ ክሳብ ዝቕርበሎም ይጠቓቐሱ ነበሩ። ድሕሪኡ ኀኽበልዑ ኣቕረበሎም “ሐዙ ኣቦታተይ ባሪኽኩም ተመገቡ” በሎም። ንሱ ከኣ ግዲኡ ወይ ብጽሒቱ ሒዙ ክሳብ ዝውዳእ ብጸጥታ ብዘይዘረባ ተመገበ። ድሕሪኡ ብዓይኑ ቁሊሕ እንተበለ ከምዘይበልዑ ረኣየ፡ “ቅዱሳን ኣቦታተይ ስለምንታይ ደኣ ዘይበላዕኩም፡” እንተበሎም “ንሕና መነኮሳት ስለ ዝኾንና ሥጋ ኣይንበልዕን ኢና፡ ትጎርምት ኣሎና” በልዎ።
ንሱ ከይገደዶም ነተን ዘብሰለን ክልተ ቆቒሓት ብኢዱ ኣልዓ ሉ ሠለስተ ግዜ ኡፍ ኡፍ ኡፍ በለለን። ሽዑኡ ንሳተን ሐውየን ክንፊ ኣውጺኤን ነፊረን ናብቲ ዝነበራኦ ቦትኣን ከዳ። እቶም መነኮሳት ነዚ ኣደናቒ ዝኾነ ተኣምር ርእዮም ደንገጹ። “ኦ ናይ ኣምላኽ ቅዱስ በደልና ይቕረ በለልና” ኢሎም ሰገዱሉ። ንሱ'ውን “ናይ ኩላትና በደል እግዚኣብሔር ይቕረ ይበለልና” በሎም።
ድሕሪኡ እቶም መነኮሳት ናብ ዓዶም ተመሊሶም ነዚ ዕዉብ ነገር ዝረኣይዎ ኑቲ ዝለኣኾም ሊቀ ጳጳሳት ነገርዎ። ንሱ'ውን ሰሚዑ ተደነቐ። ከምዚ ኢሉ ከኣ ናብ ንጉሥ ለኣኸ። “ኣብ ዘመንና ጻድቕ ሰብ መነኮስ ስለዝተረኽበ ንሸኻ እውን ንዓ እሞ ሓቢርና ኬድና በረኸቱ ኀኻፈል” በሎ። ንግዜኡ እቲ ንጉሥ ምስ ሠራዊቱ ተበገሠ። እቲ ሊቀ ጳጳሳትውን ምስ ካህናትን ሰዓብቱን ናብቲ ኣባ መቃርስ ዘለዎ እቶም ዝረኣይዎ መነኮሳት እናመርሕዎም ከዱ። ኣብቲ ንሱ ዘለዎ ቦታ ክበጽሑ እንከለዉ ዝተኣዘዘ መልኣኽ ናብ ብሔረ ሕያዋን ክወስዶ ኣልዒሉ ብኽንፉ ተሰኪምዎ ክዓርግ ምስ ረኣይዎ፡ “ኦ ናይ እግዚኣብሔር ቅዱስ ባርኸና፡ እንድሕነላ ቃል ንገረና” ኢሎም ጨደሩ። ንሱ “ካብ ሕሜትን ነገር ካብ ምእላምን ኣንደበትኩም ከልክሉ ብዝኾነ ነገር ትዕቢትን ትምክሕትን ብልብኹም ኣይትሕሰቡ። ነንሓድሕድኩም ተፋቐሩ፡ እግዚኣብሔር ኣባኻትኩም ይሕደር” በሎም። ከምዚ ኢሉ ዓረገ፡ ካብ ዓይኖም ከኣ ተሠወረ።

- ሰላም ለመቃርዮስ ዘተመስጠ መልዕልተ፡
- እንዘ ቅድመ ጉቡዓን ይነብብ እሎንተ ቃላተ፡
- እምኢያእመሩ ትዕቢተ ወዘይመሰሎ ትምክህተ፡
- እመ ኢያፈደፍድ ካህን ትምህርተ፡
- ወእመ ኢያብዝኃ ካዕበ መነኮስ ትህርምተ።

***ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።***

ምንጪ፡- 1. ስንክሳር ፲፫ ታኅሣሥ
2ይ ነገረ ቅዱሳን ገጽ 184 ብ1998 ዓ.ም.ግ ኣ.ኣ.ኢ ዝተሓትመ።

◆ ◆ ◆

## ታሪኽ ጻድቕ ቅዱስ ኣባ ገሪማ (ይስሐቅ)

ኣቡነ ይስሓቅ ካብ ኣቡኡ መስፍያኖስ ንጉሥ ሮማን ካብ ኣዲኡ ሰፍኖግያ ንግሥትን ተወልደ። እዞም ክልተ ክቡራት ወለዲ ንነዊሕ ግዜ ውላድ ስኢኖም ድሕሪ ምጽናሕ ብጸሎት ንቅድስት ድንግል ማርያም ብምምሕጻኖም ነዚ ቡሩኽ ዝኾነ ውላድ ረኸቡ። ስሙ ከኣ ይስሐቅ ኢሎም ሰመይዎ።
ንዓቕሚ ትምህርቲ ምስ በጽሐ ናይ ቤተ ክርስቲያን ትምህርቲ ኣምሃርዎ። ዲቁና እውን ተቐበለ። ድሕሪ ሞት ኣቡኡ ንጉሥ መስፍያኖስ እቶም ሃገር መተካእታ ናይ ኣቦኻ ንገሠልና ኢሎም ብዝለመንዎ፡ ን 6 (ሽዱሽተ) ዓመታት ዝኣክል ብሓቅን ፍትሕን ርትዕን ኣብ ናይ ኣቡኡ መንበር ተቐሚጡ ነገሠ።
ይኹን ደኣ እምበር ኣባ ጸንጠሌዎን ዘጸማዕት ዝተባህለ ባሕታዊ ወሪኡ ምስ ሰምዐ ካብ ምድራዊ መንግሥቲ ሰማያዊ መንግሥቲ ይሕሸካ፡ ስለዚ ከመንኩሰካ ናባይ ምጻእ ዝብል መልእኽቲ ምስ ለኣኹሉ ከይወዓለ ከይሓደረ ልብሲ መንግሥትነቱን ክብሪ ንግሥንኡን ብምሕዳግ ሰብ ከይፈለጦ ብፍርቂ ለይቲ ተበገሰ እሞ ቅዱስ ገብርኤል ከኣ ተቐቢሉ ንናይ 10 ወርሕን 4 መዓልትን ዝኸውን መንገዲ ብቕጽበት ብኣኽናፉ ተሰኪሙ ናብቲ ኣቡነ ጸንጠሌዎን ዘጸማዕት ዘለዎ

በዓቲ ኣብጽሐ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ኢትዮጵያ ንጉሥ ኣልአሜዳ ዝተባህለ ንጉሥ ነበረ። ኣቡነ ጰንጠሌዎን ርእይ ምስ ኣበሎ ብታሕንስ ሕቑፍ ኣቢሉ ሰዓሞ። ትምህርቲ ምንኩስና ምሂሩ ኣመንኰሶ። ኣቡነ ይስሓቅ ከኣ ግብረ ምንኩስና ካብቲ ዝድለ ንላዕሊ ጸመን፣ ጸለየን፣ ሰገደን።

**<u>ካብ ዝገበሮ ተኣምራት</u>**

ኣብ ምድረ መደራ ፳፫ (23) ዓመታት ዝኣክል ሕሙማትን ኣጋንንቲ ዝሓዝዎምን እናኣሕወየን፣ ምዉታት እናኣተንሥአን ጸንሐ። ሓደ መዓልቲ ንመስዋእቲ ቁርባን ዝኸውን ሥርናይ ናይ ንግሆ ዘራኡ ኣጋ ምሸት ዓጺዱ ንግዜ መስዋዕቲ ቁርባን ከም ዘዕረገ ኣብ መጽሐፍ ገድሉ ንረኽቦ። ንጽባሕቱ ከኣ ኣብ ግራ (ጸዕሮ) ዝተባህለ ዕንጨይቲ ኣብዑር ብምድያብ፣ ነታ ዕ ንጨይቲ ከም ዓውዲ ብምጥቃም ነቲ እኽሊ ኣብ ልዕሊ እታ ገረብ ኣኺዱ ብኃይሊ ኣምላኽ ምህርቲ ሓፈሰ። ሓደ መዓ ልቲ'ውን ኣብ ከውሒ ሐረገ ወይኒ ተኺሉ ንዕለቱ ፍረ ከምእትህብ ኮነትሉ። ከምኡ ውን ጸሐፊ ብርዒ ስለዝነበረ ሓደ መዓልቲ እናጸሐፈ እንከሎ ፀሐይ ክትዓርብ ደለይት'ሞ ክሳብ ጽሕፈተይ ዝውድእ ከይትዓርቢ ኢሉ ምስ ወገዛ ከምቲ ናይ ኢያሱ ፀሐይ ቆመት። ከምኡውን ጡፍ ዝበሎ ምራኾ ክሳብሎም ሕሙማት ኣብ ምፍዋስ ይርከብ ኣሎ። ናይ ኣቦና ይስሓቅ ቁጽሩ ምስ ተስዓቱ ቅዱሳን ክኸውን እንከሎ፣ ኣብ ግዜ ምሳሕ ናይ ኣመጋግባኡም ሥነ-ሥርዓት ነናቶም እዮም ዝወስዱን ዝበልዑን ዝነበሩ። ኣቡነ ይስሓቅ ግን ዋላ'ኳ እታ ብጽሒቱ ይውሰድ እንበር ከይተቐደሰ እንጀራ ኣይበልዕ ን ነበረ። ስለዚ ኣብቲ ዝነበሮ ቦታ ሰኣን ሓደ ሓሙሻይ መመላእታ ቅዳሴ ክቦክር ከም ዝደለየ ምስ ፈለጠ ኣነ ኣለኹ ብምባል ከም ሓሙሻይ ኮይኑ ቅዳሴ ቀደሰ።

ካብዚ ዝተላዕለ እቶም ብጾቱ ናብ ሓለቓ ናብ ኣባ ጴንጤሌዎን ከሰስዎ። ኣባ ጰንጠሌዎን ከኣ ንኣቡነ ይስሓቅ ፍልይ ኣቢሉ "በል እዞም ሕዝቢ'ሞ ግልል ይበሉ ምሳኻ ዘረባ ኣለኒ" በሎ። ሽዑ ኣቡነ ይስሓቅ "ኣሽንኳይ እዞም ሕዝቢ እቶም ኣእማንን ዕዕዋትን (ዕንጨይቲ) እንተኾነ እውን ግልል ይበሉ" በለ። ብዘይ ምድንጓይ ብቐጽበት ልክዕ ከም ቃል ኣቡነ ይስሓቅ ደርጓዕጓዕ እናበሉ ኸዱ። ንዓሠርተ ምዕ ራፍ ዝኣክል ከኣ ደርጓዕጓዕ እናበሉ (ን4000 ሜትሮ) ተጓዕ ዙ።

ኣቡነ ጰንጠሌዎን ነዚ ተኣምራት እዚ ምስረኣየ ካብ ብዝሒ ኣድናቐቱ ዝተላዕለ ብናይ ግእዝ ቃል "ገሪማ ገረምኪ" በለ እዚ ማለት ድማ ኣነ ድኣ ከማይ ሰብ መሲሉኒ እምበር ካብ ሰብ ንላዕሊ ኢኻ እናበለ ኣድናቐቱ ገለጸ። ቅዱስ ያሬድ ውን ኣብ ደጉዓኡ *"ገሪማ ገረምኪ ኣስኬማኪ ኣልባቲ ሙሰና"* ኢሉ ጠቂሰዎ ይርከብ። ስለዚ ስሙ ይስሓቅ ዝነበረ ኣባ ገሪማ ተባህለ፣ ገለገለ ሰባት ግን ካብ እናገረመ ዝተባህለ ዓሌት ስለ ዝኾነ እዩ ገሪማ ክበሃል ዝኸኣለ ይብሉ፣ ግን እቲ ኮይኑ እቲ ካልኣይ ቀጽል መጸውዒ ኮይኑ ተረኺቡ ኣሎ።

**<u>ቃል-ኪዳን</u>**

ዕድሚኡ ምስ ኣኸለ ካብ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ምሉእ ቃል ኪዳን ማለት ምእንታካዐ ጽቡቐ ዝገበረ። መጽሓፍ ገድልኻ ዝጸሓፈ ዘጽሓፈ፣ ዝክርካ ዝገበረ ምሒረልካ ኣለኹ ዝብል ተቐበለ። ካብ መጽሓፍ ስንክሳር ዕ ለት ፲፯ (17) ሰኔ ዝተተረጐመ ሓቐኛ ታሪኽ ኣቡነ ገሪማ እዩ።

***ጸሎት ናይ ኣቦና ገሪማ ምስ ኩላትና ኣመንቲ ኣማላድነቱ ይኹን።***

- ሰላም ለገሪማ ለአርእዮ አዚዝ ኃይሉ፣
- ዘአስተራከበ ዘርአ ወአስተላፀቀ ዘምስለ ሰብሉ፣
- ዝንቱ ጻድቅ እምኀበ ይሄሉ፣
- እምገጸ ዕበዩ ወእምድምፀ ግሩም ቃሉ፣
- አዕባን ተግህሱ ወዕዕው ሰሰሉ።

◆ ◆ ◆

## <u>ታሪኽ ጻድቕ ኣቡነ እንድርያስ ደብረ ጽጌ ሰፍኣ ኤርትራ ዞባ ደቡብ</u>

***"ወሀሎ ፩ዱ ብእሲ በዓለ ጋዳ ክቡረ ዘመድ እመኪንት ዘሰሙ ዘአማኑኤል ወብእሲቱ ዓመተ መንፈስ ቅዱስ ወክልኤሆሙ ኄራን ወፈራህያን እግዚአብሔር እሙንቱ"***

ንኣቡነ እንድርያስ ኣቡኡ ዘአማኑኤል ኣዲኡ ዓመተ መንፈስ ቅዱስ ይብሃሉ።

ውሉድ ብምስአኖም ኣዝዮም ይሓዝኑ ነይሮም ጸም፣ ጸሎት ምጽዋት ብብዝሒ የዘውትሩ ነበሩ።

ኣብ ሓንቲ ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ቤተክርስቲያን ከይዶም ተባዕታይ ወዲ ክትህቦም እሞ መብጽዓ ክህብዋ ተማባጽዑ። ቅድስት ድንግል ማርያም ከኣ ንወዳ ለመነትሎም እሞ ወዲ ሃቡም።

ቅዱስ ሚካኤል ብየማና ቅዱስ ገብርኤል ብጸጋማ ኣኸቲላ መጺኣ ከኣ፣ ቡሩኽ ዝኾነ ሕፃን ልደቱ ምስ ልደተይ ፩ ግንቦት ዝኾነ ሕፃን ክትወልዱ ኢኹም ኢላ ኣብሠረቶም።

*“ተወልደ ሀጻን በተፍጻሜተ ቀዳማይ ወርኀ ዘውእቱ ኔሳን በወርኃ ልደታ ኣመ ሠርቁ ለዓኮን ዘውእቱ ግንቦት ወበጊዜ ልደቱ ኣብርሃ ቤተ ከመ ፀሐይ ወወድቁ ዲበ ምድር እለ ሀለዉ ውስተ ውእቱ ቤት”።*

ኣቡነ እንድርያስ ውልድ ምስ በለ ጸሎት ገበረ እሞ ሳጥናኤል ሰሚዑ እዚ ሕፃን እዚ ለካ ጸላእየይ፣ ኣንጻረይ ክኸውን እዩ ኢሉ ተጨነቐ። ክቐትሎ እውን ሐሰበ እንተኾነ እቲ ኣብኡ ሓዲሩ ዝነበረ መንፈስ ቅዱስ ከልከሎ። ድሕሪ ፵ (40) መዓልቲ ኣብታ ቅድም ዝተማባጽዑላ ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ቤተክርስቲያን ብኢድ ኤጲስ ቆጶስ ተጠመቐ። መሓረነ እግዚእ ዝብል ስም ጥምቀት ከኣ ተቐበለ።

ሽዑ ናብቲ ድግስ ዝተገብረ እንዳ ቅዱስ ዘኣማኑኤል እቲ ዘጥመቐ ኤጲስቆጶስ ምስ ኩሎም ካህናትን ዲያቆናትን ኣናጉስጢስን እናዘመሩ፣ ኣብ ዝነበሩሉ ኣቦና መሓረነ እግዚእ ከኣ ኣብ ዝባን ቅድስቲ ዓመተ መንፈስ ቅዱስ ተሓዚሉ ከሎ *“ስብሐት ለእግዚኣብሔር በሰማያት ወሰላም በምድር ለእኁለ እመ ሕያው ዘሠምሮ”* ኢሉ ኣመስገነ።

ድሕሪ ሠለስተ (3) ዓመት ጡብ ምስ ሐደገ ልክዕ ከምታ ዝተመባጽዕዋ ናብታ ናይ ቅድስት ድንግል ማርያም ቤተክርስቲያን ወሰድዎ። ከም ነቢይ ሳሙኤል ወዲ ህልቃና ከኣ ኣብ ቤተክርስቲያን ዓበየ ቅዱስ ገብርኤል ሰማያዊ መናን ሰማያዊ ጽዋዕን እናኣምጽአ ይምግቦ ነበረ። ሠራዊተ ዲያብሎስ ከይቐርብዎ ከኣ ክልቲኦም እቶም ናይ መላእኽቲ የሕሉቐ ቅዱስ ሚካኤልን ቅዱስ ገብርኤልን ለይትን መዓ ልትን ይሕልዎ ነበሩ።

ቅዱስ መሓረነ እግዚእ ስርሑ ብጸም፣ ጸሎት ስግደት - መረ። ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ ኩሉ ግዜ እናመጸ ይናዝዞን ይሰምየን ነበረ። *“በከመ ይቤ በወንጌል ዘሰደቅረኒ ወየዓቅብ ቃልየ ኣነ ወአቡየ ንመጽእ ኀቤሁ ወንፈሰዮ ምዕራፈ”*

ሽዑ ወዲ ሸውዓተ ዓመት ምስ ኮነ ኣቦኡ ቅዱስ ዘኣማኑኤል ነቲ ዘጠመቐ ኤጲስ ቆጶስ ናይ ቤተ ክርስቲያን ትምህርቲ ከምህሮ ሓደራ በሎ። እሞ ብዘሎ ናይ ቤተክርስቲያን ትምህርቲ ፹፩ (81) መጻሕፍቲ ተማህረ።

ወዲ ፲፪ (12) ዓመት ምስ ኮነ *“ሐለየ በልቡ ወይቤ ምንት ይበቍዓኒ፣ ንብረተ ዝንቱ ዓለም፣ ወእትገሃሰ እምኣዝማድየ ወእህድግ ኣቡየ ወእምየ” በከመ ይቤ በወንጌል ዘኢሃደገ ኣበ ወእመ”* ብምባል ናብ ሰሉዳ ዝተባህለት ገዳም ከደ እሞ “ሓደ ዓቢ ብዑዕ ባሕታዊ ንእግዚኣብሔር ዘስመረ ኣባ ገብረ ክርስቶስ” ዝተባህለ ክዳኑ ጸጉሪ ዝኾነት ተራኸበ። ኣጸቢቑ ምስ ተለማመደ እቲ ኣብ ኣቡነ መሓረነ እግዚእ ሓዲሩ ዝነበረ ጸጋ መንፈስቅዱስ ስለ ዝተራእዮ ኣዝዩ ፈተዎ።

ቅዱስ ኣቡነ እንድርያስ ልብሰ ምንኵስና ከልብሶ ኣብ ዝሓተቶ፣ ንሱ ከኣ ግብረ ምንኵስና ኃያልን ኣዝዩ ከቢድን ምኻኑ ገለጸሉ።

ቅዱስ ኣቡነ እንድርያስ ከምዚ ዝስዕብ ምስ በለ ኣመንኰሶ *“ኢይክል ኣሐዱ ገብር ተቀንዮ ለክልኤ ኣጋእዝት ለፍዳ ይትኤዘዝ ወለክልኡ ኢይትኤዘዝ”* “ንገንዘብን ንእግዚኣብሔርን ክትግዛእ ኣይከኣልን እዩ” *“እለኒ በልዑ ከመ ዘኢበልዑ እለኒ ሰተዩ ከመዘኢሰተዩ፣ እለኒ ተፈሥሑ ከመ ዘኢተፈሥሑ”*።

“ዓለምን ኣብኣ ዘሎን ኃላፊ እዩ።” ስመ ክርስትናኡ መሓረነ እግዚእ ክኸውን ከሎ ስመ ምንኵስናኡ ከኣ እንድርያስ ተባሂሉ እንድርያስ ማለት ጎበዝ መንእሰይ ማለት እዩ። ከምዚ ኢሉ ከኣ ባረኾ፣ በረኸት ኣቦታተይ እንጠንዮስ፣ መቃርዮስ፣ ጳኩሚስ ይሕደርካ ናታቶም ምንኵስና ዝባረኸ ምንኵስናኻ ይባርኽልካ።

ቅዱስ ኣቡነ እንድርያስ ድሕሪ ምምንኳሱ ንዓይኑ ሰለምታ ንሰውነቱ ድቃስ ንሥግኡ ዕረፍቲ ዝብሃል ኣይሃበን። ለይቲ ምስ መዓልቲ ከም ዓንዲ ሓኺን ብጸሎት ተተኽለ፣ ኣእጋሩ ውን ክሳብ ዝሓብጥ ከም መኰራኩር፣ ረሃጹ ክሳብ ናብ

ምድሪ ዘንጠብጥብ ይሰግድ ነበረ።ብትሕትና ከኣ ዝተፈልጠ ኣቦ ኮነ፡ ጋሻ እንተ መጸ እግሪ ኣብ ምሕጻብ ቀዳማይ ኮነ። ትዕቢት ዝብሃል ፈጺሙ ኣይፈልጥን ነበረ።

“ኣባ ገብረክርስቶስ እዚ ኩሉ ትግሃትን ትሩፋትን ብምርኣይ በል እዚ ወደይ መዓርገ ዲቁና ተቐበል” በሎ። ኣቦና ኣቡነ እንድርያስ ግና ካብ ብዝሒ ትሕትና ዝተላዕለ ኣነ ንመዓርገ ዲቁና ዝበቅዕ ሰብ ኣይኮንኩን ብምባል ኣበዮ። ንሱ ግና ምስ ኩሎም ደቂ ማኅበር ኮይኑ ይግብኣካ እዩ ተሸየም ኢሉ ደጋገሞ። እንተኾነ ኣበዮ ድኣ።

ሽዑ ፍርቂ ለይቲ ምስ ኾነ ባዕሉ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ መጺኡ “ኦ እንድርያስ ፍቁረይ ኣነ ተቐቢለካ ኣሎኹ። መዓርገ ዲቁና ተቐበል” በሎ። ቅዱስ ኣቡነ እንድርያስ ትእዛዝ ኣምላኽ ካብ ኮነስ እሺ /ሕራይ ብምባል ናብ ጳጳስ ብምኻድ መዓርገ ዲቁና ተሸመ። ከም ሊቀ ዲያቆናት ቅዱስ እስጢፋኖስ ከኣ ትጉህ ኣገልጋሊ ኮነ። ከምኡ'ውን መንበረ መለኮት ብመንፈስቅዱስ ክሳብ ዝርኢ ኮነ። እንደገና እውን ኣባ ገብረክርስቶስ ትብኣቱ ብምርኣይ *“ይቤሎ ተሰየም ቀሲሰ መዓርገ ክህነት”* ይግብኣካ እዩ እሞ ኪድ ካብ ጳጳስ ክህነት ተቐበል በሎ። ሕራይ ኢሉ ፍቓድ መምህሩ መሊኡ ካብ ጳጳስ መዓርገ ክህነት ተቐብዐ፡ ልክዕ ከም ናይ መልከ ጼዴቅ ጌሩ ከኣ ብትግሃት ኣገልገለ። ምሥጢረ ቍርባን ክህብ ከሎ ንዝግብኦን ንዘይግብኦን ይፈላሊ ነበረ። ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ከምዚ ዝብል ሕሳብ ሓሰበ፡ ንሱ ከኣ ንኢየሩሳሌም ከይደ ጐይታይ ዝተወልደላ ቤተልሔም፡ ዝተጠመቐላ ዮርዳኖስ፡ ናዝሬት ዝዓበየላ፡ ቀራንዮ ዝተሰቐለላ፡ ክርኢ ክከይድ ኢሉ ጋጋት ሓጺን ተዓጢቑ ብጸሎት ንጐይታ ሓተተ። ሽዑ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ ቅዱስ ሚካኤልን ቅዱስ ገብርኤልን ምስ ሰዓብቶም ኣኸቲሉ መጺኡ “ኦ ፈታውየይ እንድርያስ እቲ ኣነ ዝፈትዎ ዘበለ ኩሉ ትፍጽም ኣሎኻ ምስ በሎ ኣቡነ እንድርያስ መን ኢኻ ንሰኻ ክብል ምስ ሐተቶ፡ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣነ ናዝራዊ ጐይታኻ ዘሎን ዝነብርን ዝነበርኩን እየ” በሎ። ሕጂ ከኣ ኦ ፈታውየይ እንድርያስ ንኢየሩሳሌም ምኻድ ኣይትሕሰብ፡ ምክንያቱ ኣነ እታ ሥጋኻ እትቐበረላ ከርእየካ እየ። ኣብኣ ዓቢ በዓቲ ኣዳልየልካ ኣሎኹ፡ ነዛ በዓቲ እዚኣ ከኣ ከም ቤተልሔም፡ ነቲ ኣብኣ ዘሎ ማይ ከም ዮርዳኖስ፡ ንመቓብርካ ከምቲ ናተይ መቓብር ጎልጎታ (ኢየሩሳሌም) ንደብርኻ ከኣ ከም ደብረ ጽዮን ክገብረልካ በሎ።

ቅዱስ ኣቡነ እንድርያስ *“ምርሓኒ እግዚኦ ፍኖተ እንተ ባቲ ኣሐውር”* ብምባል ካብ ንኢየሩሳሌም ምኻድ ኣቋረጸ፡ ፍቓድካ ይኹን ኢሉ ተቐበሎ። (ማቴ ፮፥፲)

ሓደ መዓልቲ ኣቡነ እንድርያስ ነታ ቦታ ንምድላይ እናዳህሰሰ ከሎ “ኣብ ከባቢኡ ተኣማኔ እግዚእ ዝተባህለ ምእመን ረኸበ። ንሱ ከኣ ነቶም ከባቢ ወንጌልን ኦሪትን ክምህረሉ ለመኖ። ኣቡነ እንድርያስ እቲ “ ንሊቀ ሓዋርያት ጴጥሮስ ዓባኂዐይ ሓሉ” ዝበሎ ቃላት ዘኪሩ ኩሉ ዓሠርተ ትእዛዛትን ወንጌልን ሰበኾሎም።

ኣብ ሓበላ ከምዝነበረ ቅድስት ድንግል ማርያም ከኣ ክትቅድስ ኢላ ከም ዝኣዘዘቶ፡ ኣድጉ ጽዒኑ እናኸደ ምስ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ብዕድመ እኳ እንተ ዓበዮ ብጸጋ ግና ኣቡነ እንድርያስ እዩ ዝዓቢ፡ ምክንያቱ ነቲ ዝጸገሞ ጎቦ ብጸሎቱ ዝኣለዮ ኣቡነ እንድርያስ እዩ።

*“ውተግህሰ ደብር እምቅድሜሆሙ በጸሎቱ ለኣባ እንድርያስ ወማዕምቅ መልዓ።”* *“ለእመ ብክሙ ሃይማኖት መጠነ ሀጠተ ሰናቴ ወትብልዎ ለዝንቱ ደብር ፍልሰ ወይፈልሰ”* ዝብል ቃል ጐይታ ተፈጸመ። እዛ ዓባይ እምባ ኣብ ከባቢ ርእሰ ኣድባራት ቅድስት ማርያም ዝነበረት ንዓርበ ረቡዕ ገጻ ዝፈለሰት ምኺና ይንገር።

ካብ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ምስ ተፈላለዩ ቅዱስ ኣቡነ እንድርያስ ኣብ ማይ ምጭቓ ዝተባህለ በዓቲ መንነ ዓዲ ናህባይን መንነ ዓዲ ፈለስትን ዝርከብ ከምኡ ውን “ወሖረ መንገለ ዛና ካብ ማይ ምጭቓ እውን ናብ ኣብ ከባቢኡ እትርከብ ዛና ኣብ ከም ዝኸደ መጽሓፈ ገድሉ ይነግር። ኣብዚ ግዜ'ዚ መግቡ ሱር ዒቃ እዩ ዝነበረ። *“ወአበረ ሀየ እንዘ ይሴሰይ ቆጽለ ኦሥርቆ ዘውእቱ ሥርወ ዒቃ”* ኣብዚ እዋን'ዚ ብሕልሚ ለይቲ ነታ ክህበካ እየ ዝበሎ ማየ ዮርዳኖስ ዘለዋ ገዳም ይርኢ፡ ብቐትሪ ከኣ ይስእና። ከምኡ ውን እቲ

ምእመን ተኣማኔ እግዚእ ንቅዱስ አቡነ እንድርያስ ንሳቒ ቸኸውን ገዳም ብራዕይ ርእየ ምስ በሎ ሓደ ኰይኑ ረኸቦ እሞ እንተ ኸደ ልክዕ ንሳ ኮይና ረኸባ። ብትእምርተ መስቀል ከኣ ባሪኹ ኣመስጊኑ ተቐመጣ ።

ከምኡ እውን ንኣቡነ እንድርያስ ዝኾነ መፍቅደ ደብር ዘምጽኣሉ *“ገብርኄር”* ዝተባህለ ኣድጊ ነበረ። ክሳብ ካብ ሽኩቲ እንዳ ራእሲ ሓደራ እኽሊ ተሸኪሙ ይመጽእ ምንባሩን፣ ካብ ገዳም ከኣ ወርቂ ይወስድ ምንባሩን ይፍለጥ። እዚ ኣድጊ እዚ ካብ ሽኩቲ ንገዳም ዝኸውን እኽሊ ሒዙ እናመጸ ከሎ ሓደ ሰይጣን ዝሓደሮ ኣንበሳ ኣብታ እግሪ ደብሪ ሰይሩ ቀተሎ፣ *“መኣእመረ በመንፈሰ ቅዱስ ኣቡነ እንድርያስ ከመ ቀተሎ ኣንበሳ ለኣድግ ዚኣሁ ውእቱኒ ቀተሎ ለኣንበሳ በኃይለ ጸሎቱ እንበለ መጥባሕት ወይቤሎሙ ኣቡነ ለኣርድእቲሁ ሑሩ ደቂቅየ ወኣልእሉ ጸሮ ለውእቱ ኣድግ እሰመ ቀተሎ ኣንበሳ”* እዛ ቦታ እዚኣ ሕጂ ምዕራፈ ኣርድእት እናተባህለት ትጽዋዕ ኣላ። ናይ ክልቲኦም ሬሳ ማለት ናይቲ ኣድግን ናይቲ ኣንበሳን ከኣ ኣብዛ ዝተባህለት እግሪ ደብሪ እትርከብ ምዕራፈ ኣርድእት ይርከብ።

ሓደ መዓልቲ ጥሜትን ጽምእን ኣብ ዝበርትዓሉ እዋን እቶም ኣርድእቲ ንኣቡነ እንድርያስ ካብዚ ገዳም ወጺእና ለሚንና ክንምገብ ኣፍቅደልና በልዎ። እንተኾነ ኣቡነ እንድርያስ ግን ኣጽንዖ መካን ስለ ዝበልጽ እዞም ደቀይ ቁሩብ ተዓገሱ። ዓሳ ካብ ባሕሪ፣ መነኮስ ካብ ገዳም እንተወጺኡ ጽቡቕ ኣይኮነን እኳ እንተበሎም እቶም ኣርድእቲ ግን መሊኾም ናብ እንዳ ተኣማኔ እግዚእ ዓዲ ሞገስ ከባቢ ጣላን ዓደብዛገን ክምገቡ ከዱ። እቲ ሰብኣይ እኳ ክኣትዉ እንተ ፈቐደሎም እታ ሰበይቲ ግን “ኣቡኣም ከ ምስኣም ኣለዉ ዶ ኢላ እንተ ሐተተቶም ዘየሎ ይኸውን እሞ” ኣቦኣም ኣቡነ እንድርያስ እንተ ዘይሃልዩ ኣይቐበሎምን እየ በለት። ከምዚ ክትብል ከላ ኣቡነ እንድርያስ ብመንፈስ ቅዱስ ይፈልጥ እሞ *“ወይቤ ኣቡነ ሚጠሙ ኀቤየ ለእሉ ኣግብርቲከ ወኢትህድንሙ ይሠጠሙ ውሰተ ባሕረ ዓለም”* ኢሉ ምስ ጸለየሎም ተመልሱ።

ሽዑ ኣቡነ እንድርያስ ነቲ ገንኢ ማይ ምልኡለይ ኢሉ ኣብኡ ምስ ጸለየ *“ወዘንተ ብሂሎ ኣተብ በትእምርተ መሰቀል ዲበ ውእቱ ማይ ወኮነ ጥዑመ ከመ ዓያያተ መዓር ወይቤሎሙ ኣቡነ እንድርያስ ለደቂቁ ንሥኡ ሰትዩ ዘውንበክሙ እግዚኣብሔር ወሰትዮሙ ደቀቁ ውእተ ማየ ዘኮነ ወይነ ጥዑመ ኣንከሩ ጥቀ”*

ከምኡ እውን ቅዱስ ኣቡነ እንድርያስ ምእንቲ ደቁ ኢሉ ናብ ኣምላኽ ጸሎት ገበረ እሞ ካብ ኣርያም ፫ (3) ኩምራ ከም ዓውዲ መሲሉ መልኣ። እዚ ኩምራ'ዚ ንኂ (7) ዓመት ዝኣክል ኣብ በረኻ ከሎ፣ ኣቡነ እንድርያስ ናይ ጎሞር መስፈር ካብ እምኒ መዐቀኒ ገበረሎም። ካብታ መዐቀኒት ዝያዳ ከይወስዱ ከኣ ሓደራ በሎም። እዚ ሥርናይ ኣርያም እዚ ንሸውዓተ ዓመት ዝኣክል ብዘይ ሓደ ነገር ማለት ዝናብ ከይዘነቦ፣ ነቐዝ ከይበልኦ፣ ኣዕዋፍ ከይለቐማሉ፣ ሠረቐቲ ውን ኣይወስዱሉን። ምኽንያቱ ናይ ቅዱስ ኣቡነ እንድርያስ ጸሎት ስለዝኾደኖ። *“ጸሎቱ ለጻድቅ ትክል ወታሰልጥ”* (ያዕ. 5፣15) ድሕሪ ንኂ (7) ዓመት ግና እቶም ኣርድእቲ ስለምንታይ ኢና ነቲ እግዚኣብሔር ዝሃበና ንሰፍሮ፣ ከም ድሌትና ዘይንወስድ ብምባል ዝተዋህቦም ሓደራ እሞ ጠለሙ ሽዑ ነቲ ሥርናይ ኣራዊት፣ ጻጸ፣ ኣዕዋፍ፣ ሠረቐቲ ከምዝኣትውዎ ንኣቡነ እንድርያስ ብመንፈስ ተገልጸሉ። ኣተውዎ ከኣ። ስለዚ ናብ ገዛ ከእትውዎ ኣዘዞም። ንሸውዓተ ዓመት ከኣ ተመገቡ ብድምር ን፲፬/ 14 ዓመት ዝኣክል ካብ ኣርያም ዝወረደ መና ከም ዝተመገቡ መጽሐፈ ገድሉ ይሕብር። እቲ ዝወርደሉ ዝነበረ ቦታ እውን ንምልክት ዝኣክል መስቀል ተገሩሉ “ምውራድ መና“ ኣባ ጊዮርጊስ *“ ሰአል ለነ እንድርያስ ኣቡነ ለኣርዑት ወንጌል ዘተፀምደ ለደቂቀ ቤቱ ገሀደ ሥርናይ ኣርያም ዘኣውረደ”* ። ኢሉ ኣብ መጽሓፈ ሰዓታት ገሊጽዎ ይርከብ። ” (ሥርናይ ኣርያም) እናተባህለ ክሳብ ሎሚ ይጽዋዕ ኣሎ።

ድሕሪ'ዚ ዝተጠቕሰ ፲፬/ 14 ዓመት ከኣ ቅዱስ ኣቡነ እንድርያስ ናብ ኣምላኽ ጸሎት ገበረ እሞ ካብ ሰማይ ወርቂ ዘነመ። ሽዑ ካብቶም ኣርድእቲ ሓደ ዘካርያስ ዝተባህለ ርእይዎ ከብቅዕ ሓዲግዎ ኸደ። ኣቡነ እንድርያስ ስለምንታይ ዘየልዓልካዮ ምስ በሎ ፍቕድ መምህሩ ክመልእ ኣልዓሎ። ሽዑ ኣቡነ እንድርያስ ስለምንታይ ኣብቲ ቀዳማይ ግዜ ዘየልዓካዮ እንተ በሎ *“ኢታንሥእ ዘኢያንበርከ”* ስለዝብል ክብል መለሰሉ። ንሱ ነዚ ወርቂ'ዚ ኣይትሸጥዎ ኣይትምዘንዎ፣ እንታይ ድኣ ብለውጢ ተጠቕሙሉ ብዝበሎም መሠረት ይነብሩ ነበሩ። ንዘውሓደሎም ኣይሓምይዎ፣ ንዘብዝሓሉም

ኣይንእድዎ ነበሩ። ኩሉግዜ ከኣ ሠርከ ሠርከ (ምሸት ምሸት) ናብቶም ኣርድእቲ ብርሃነ መንፈስቅዱስ ይወርድ ነበረ።

## ቃልኪዳን

ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ግዜ ዕረፍቲ ኣቡነ እንድርያስ ምስ ቀረበ ኣእላፈ ኣእላፋት መላእኽቲ ኣኸቲሉ መጺኡ ከምቲ ናይ ኩሎም ቅዱሳነ እግዚኣብሔር ምሉእ ቃል ኪዳን ሃቦ።
ነዛ ገዳም እዚኣ ከም ቤተልሔም ዝተወለድኩላ፣ ከም ደብረ ጽዮን፣ ደብረሲና፣ ሙራደ ቃል፣ ንመቓብርካ ከኣ ከም ጎልጎታ፣ ክሓስበልካ እየ። ኩሉ ናብ'ዚ ደብሪ'ዚ ኣብ ዕለት ሞትካን ልደትካን ብእምነት ዝኸደ ከድሕነልካ እየ በሎ። ነቲ ኣብኡ ዘሎ ማይ ከኣ ከም ዮርዳኖስ ጌረዮ ኣሎኹ። ኩሉ ብእምነት ብእኡ ዝተሓጽበ ካብ ዝነበሮ ደዌ (ሕማም) ክሓዊ እዩ። *"ወዘሂ ተቀብረ ውስተ ዛቲ ምኔት ውስተ ምሥራቂሃ መምዕራብሃ መውስተ ሰሜና ወደቡባ እስከ ጎበ ይበጽሕ ጽላሎታ እሬሰዮ ለድኂን"* ምስ በሎ ንሰማይ ዓረገ።

## ኣቡነ እንድርያስ ንደቁ ዝሃቦ ለበዋ

ንደቁ ኩሎም ኣኪቡ እነሆ ጐይታይ ክትመውት ኢኻ ኢሉኒ ስለዘሎ ክነግረኩም ስምዑኒ ምሉእ እምነት ሓድነትን ሠለስትነትን የሃልኩም። ነንሓድሕድኩም ተፋተዉ (ተፋቀሩ) *"እስመ ተፋቅሮ ይደፍኖን ለኵሎን ሓጣውዕ"* ሓዳጋት ኩኑ። ከምዚ ምስ በሎም ንእሽቶ ሕማም ሓመመ። (፩ይ ቆሮ ፲፫፥፲፫)
ሽዑ እቶም ደቂ ንሰኻ ካብ ሰማይ ሥርናይ ዘውረድካ ብጸሎትካ፣ ንሰኻ ኣቦና ንደቅኻ መና ዝመገብኻና ኸ ትመውት ዲኻ: ከምዚ ክብሉ ከለዉ ከኣ ካብ ኣዒንቶም ከም ውሒዝ ክረምቲ ንብዓት ይውሕዝ ነበረ። ሽዑ ኣቡነ እንድርያስ ንደቁ ክበኽዩ ምስ ረኣዮም ኣይትብከዩ፣ ኣነ ካብዛ ኃላፊት ዝኾነት ዓለም ናብታ ዘይትሓልፍ ዓለም እየ ዝኸይድ ዘሎኹ በሎም። ኣቡነ እንድርያስ ነቶም ኣርድእቱ ብድሕሬይ ድሕሪ ዓሠርተ መዓልቲ ከተርክቡኒ ኢኹም ብዝበሎም መሠረት ድሕሪ ዓሠርተ መዓልቲ ፱፱፱፱፱፱ (999) ኣርድእቲ ተሰየፉ፣ ሕጂ እንዳ ሰማዕታት ቤተክርስቲያን ተባሂሉ ብስሞም ታቦት ተቐሪጽሎም ተክርስቲያን ተሰሪሑ ይቕደለሉ ኣሎ።
ኣቡነ እንድርያስ ዝሞተሉ ዕለት ፩ የካቲት እዩ፣ ዝተወልደሉ ከኣ ዕለት ፩ (1) ግንቦት እዩ።

✠ ✠ ✠

# ትውልዲ ምንኵስና ኣቡነ እንድርያስ ዘደብረ ጽጌ ሰፍኣ

ኣቡነ እንጦንስ ንመቃርስ፣ መቃርስ ንጳኵሚስ ጳኵሚስ ንጳላሞን፣ ጳላሞን ንቴዎድሮስ ቴዎድሮስ፣ ንኣረጋዊ ዘሚካኤል፣ ኣቡነ ኣረጋዊ ንማትያስ፣ ማትያስ ንዮሴፍ ዮሴፍ ንዓቢይ መድኃኒነ እግዚእ፣ ዓቢይ መድኃኒነ እግዚእ፣ ንዓቢይ ዮሓኒ ዓቢይ ዮሓኒ፣ ንዓቢይ ተክለሃይማኖት ፣ ዓቢይ ተክለሃይማኖት ንሚዛን መስቀል፣ ሚዛን መስቀል፣ ንመስቀል መዋዒ፣ መስቀል መዋዒ ንክርስቶስ ቤዛነ፣ ክርስቶስ ቤዛነ ንዓቢይ መስቀል ክርስቶስ ዓቢይ መስቀል ንንእሽቶይ መስቀለ ንእሽቶይ መስቀለ ክርስቶስ፣ ንንእሽቶ ዮሓኒ ንእሽቶ ዮሓኒ፣ ንእሽቶ ኢየሱስ ሞዓ ኢየሱስ ሞዓ፣ ንንእሽቶ ተክለሃይማኖት፣ ንእሽቶ ተክለሃይማኖት ንመድኃኒነ እግዚእ፣ ካልኣይ መድኃኒነ እግዚእ ካልኣይ፣ ንገብረክርስቶስ ዘሰሎዳ፣ ገብረክርስቶስ ዘሰሎዳ ንኣቡነ እንድርያስ ዘደብረ ጽጌ ሰፍኣ።

## ዓበይቲ ቅዱሳን ደቂ ኣቡነ እንድርያስ ዝፈረዩ ዓበይቲ ኣቦታት

ካልኣይ ድሒሮም

1. ኣቡነ ኣቤል ዘጣላ
2. ኣቡነ ስምዖን ዘጨዓት በዓል ዓዲ ቐሺ
3. ኣቡነ ሉቃስ ዘሓበላ ጉቦር
4. ሰማዕታት 999 ኣብ ውሽጢ ገዳም ዘለዉ

1. ኣቡነ ኣትናቴዎስ ሊቀጳጳስ ዘኢትዮጵያ ዓቢይ ሊቅ መምህር መጽሓፍ
2. ኣቡነ ፊልጶስ ሊቀጳጳስ
3. መምህር የማነ ብርሃን ኣቡነ እንጦንዮስ 2ይ ፓትርያርክ ዘኤርትራ

## ሕጂ ኣብቲ ገዳም ዝርከብ ቅርሲ

- ማየ ዮርዳኖስ

- መቻብር ኣቡነ እንድርያስ
- ጎሞር መስፈር ሥርናይ
- ናይ ኢድ ዝነበረ መስቀል
- ብዓቢኡ ከኣ ምሳሌ ዘይብሉ ቤተክርስቲያን
- ጭኪሮ ዝነበረት ሕጂ ዓባይ ኣውሒ ኮይና ኣላ ንሳ ናይቶም 999 መቻብር ዝኾዓተት እያ።

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ጻድቕ ኣቡነ እንድርያስ ዕፉን ወገረ ስሂን ዘባ ደቡብ

ኣቡነ እንድርያስ ዕፉን ትውልዱ ኣብ ሃገረ ሰብከት ደቡብ ንኡስ ሃገር ስብከት ደቀምሓረ ኮርባርያ እዩ። ስም ኣቡኡ ካህን መንክር፡ ስም ኣዲኡ ከኣ ፀዳለ ብርሃን ይብሃል። እዞም ክልተ ሰብ ቃል ኪዳን ቅዱሳን ወለዲ ሃብታማት እኳ እንተ ነበሩ ውላድ ስለ ዘይረኸቡ ብጸሎት ናብ እግዚኣብሔር ምስ ለመኑ ቡሩኽ ውላድ ከምዝወለዱ ንሱ ከኣ ዓቢ ከም ዝኸውን ስሙውን እንድርያስ ከምዝበሃል ብሕልሚ ኣርኣዮም። በዚ መሠረት ከኣ ብሯ፱ (29) ሚያዝያ ተወኒሱ ጥር ሯ፱ (29) ብዘይ ጻዕሪ ተወልደ። ውልድ ምስበለ ቅድሚ ኩሉ ንምብራኾ ገጹ ሰጊዱ ንኣምላኽ ኣመስገነ ኣብ ዕለት ጥምቀቱ ከኣ ቲ መጠመቒ ማይ ከም ጸባ ጻዕድዩ ተራእየ። ናይዚ ቅዱስ ኣቦዚ መንፈሳዊ ሕይወት ግና ኣብ ዕድመ ቁልዕነት እንከሎ እዩ ዝጅምር። ወዲ ሰለስተ ዓመት ምስ ኾነ እንስሳ ክሕሉ ጀመረ። ኣብ ዝወደረሉ ዘበለ ከኣ ኩሉ ስራሕ ብጸጋ እግዚኣብሔር ይማልኣሉ ነበረ። ሓደ መዓልቲ ንኣቡነ መርቆሬዎስ መልኣክ እግዚኣብሔር “ኣብ ኮርባርያ ዝተባህለ ዓዲ ኪድ ንዓኻ ዝኸውን ድላድ ክትረክብ ኢኻ” በሎ።

ባሪኽካዮ ድኣ ምጻእ ምሳኻ ኣይትውሰዶ ስለ ዝበሎ ክባርኾ ምስ ከደ እቶም ቅዱሳን ወለዲኢ ብኽብሪ ተቐበልዎ። ብድሕሪኡ ወዲ ሓሙሽተ (5) ዓመት ምስ ኾነ ንኣቡነ መርቆሬዎስ ግሩምን መንፈሳውን ዘብህግ ፈላስን ኮይኑ ብሕልሚ ተራእዮ። መደብ ኣምላኽ ስለ ዝነበረ ድማ ሕልንኡ ተለዓዒሉ ናብ ደብረ ድማህ ከደ። ኣብ ቅዱስ ኣቡነ መርቆሬዎስ ትምህርተ ሃይማኖት እናተማህረ ድሕሪ ምዕባይ፡ ንዓለም ንሕሪት ገዲፉ ንእግዚኣብሔር ከገልግል ብዝወሰዶ ምርጫ ውሳነን መዓርገ ምንኩስና ካብ ቅዱስ ኣቡነ መርቆሬዎስ ተቐበለ።

### ተጋድሎ ኣቡነ እንድርያስ

ኣቡነ ቅንድርያስ ኣብ ደብረ ድማህ ብርድእናን ብሕትውናን ጽሙድ ተጋዳሊ ኮይኑ ክሳብ ራእያት ክርእን ተኣምራት ክገብርን ዘኽእል ብቕዓት ክፍጽም በቐዐ። ዋላ እኳ ብዕድመ ንእሽቶ እንተ ነበረ መንፈሳዊ ተጋባሩ ግና ኣዝዩ ዘደንሕ ነበረ። ቅዱሳ ኣቡነ መርቆሬዎስ ኑቲ ኣብ ደቁ ዝርኣ ዝነበረ መንፈሳዊ ዕቤት ብዓይኒ መንፈስ ይርእዮን ይከታተሎን ስለ ዝነበረ እቲ ካብ እግዚኣብሔኢር ዘከብ ዝነበረ ጸጋ እናዓበየን እናበዝሐን መታን ክኸይድ ፈተና ኣጋንንቲ ንምስዓር ንዘኽእሎም፡ ትሩፋት ኣብ ርእሲ ትሩፋት ምእንቲ ክገብሩ ይምህሮም ነበረ።

ነዚ መምርሒ እዚ ብኽታል ኣቡነ እንድርያስ ካብ ቅዱስ ኣቡኡ ኣቡን መምህሩን ኣፍቂዱ ብጽኑዕ ብሕትውና ኣብ ከባቢ ዳምባ ምጭ ኣብ ዝርከብ ሕደ በዓቲ ተዓጽዩ ብጾም፡ ጸሎት፡ ስግደት፡ ተወሲኑ ንነዊሕ እዋን ድሕሪ ምጽናሕ ናብ ገዳም ደብረ ድማህ እንዳ ኣቡነ መርቆሬዎስ ተመልሰ። ኣብቲ እዋንቲ ዳምባ ምጭ ብርቱዕ መንፈሳዊ ምንቅስቓስ ዝነበሮ፡ ጳጳሳት ዘይፍለይዎ ስሙ ዝተፈልጠ ገዳም ከምዝነብረ ኣብ ገድለ ኣቡነ እንድርያስ ዕፉን ተጻኢፉ ኣሎ። ኣቡነ እንድርያስ መጋቢ ኮይኑ የገልግል ኣብ ዝነበረሉ እዋን ገበል (ኣራዊት) ኣብ ናይ ስዋ ገንኢ ስለ ዝኣተወ በኻ ማኅመር ኑቲ ስዋ ብገምበዞ ብምስታይ ንሓደ ተማሃራይ ምናልባሽ ኣነ እንተ ሞትኩ ማኅበር ከይሰትይዎ ብምባል ተላብዩ ሰተ። ቅድሚኡ ስዋ ዘይሰቲ ስለ ዝነበረ ሓደ ካብቶም ማኅበር ብማዕዶ ርእዩ ናብ ኣቡነ መርቆሬዎስ ከይዱ “እንድርያስ መስተ ኣይሰትን እየ እናበለስ ተሓቢኡ ይሰቲ እዩ” ኢሉ በገሮ። ኣቡነ መርቆሬዎስ ከኣ “ኣታ እንድርያስ ወደይ ስለምንታይ ድኣ ከምዚ ትገብር” ኢሉ ሓተቶ። ንሱ ከኣ “ኣነ ስዋ ዝሰቲ እንተኾይነስ እዛ

ምርኩሰይን እታ ዝሰተኹላ ገምበዞን ዘይምስክራ” ምስበለ እታ ምርኩስ እታ ገምዘቦን ናብ ኣቡነ እንድርያስ እናሰገዳ “ንሱስ ምእንቲ ማኅበር ከይጐዳእ ኢሉ ድኣ በጃ ኮነ እምፕር ስዋ ብሂጉ ኣይሰተየን።” ኢለን ስለ ዝመስከራ “ኣንታ እንድርያስ መደይ ብጸጋ ካባይ ስለ እትዓቢ ድሕሪ ደጊም ምሳይ ኣይክትነብርን ኢኻ። ኣብዚ ዘብጽሓካ እግዚኣብሔር ይመስገን። ክፍሊ ርስትኻ ድማ ብወገን ደቡብ ኮይኑ ክትከይድ ከለኻ ኣብ እትሓድሮ ዓዲ ሓንቲ ወዳ ዝሞታ ሰበይቲ ኣብ ብኽያትን ሓዘንን ክትጸንሓኻ እያ። እቲ ዝሞተ ቆልዓ ምስ ኣተንሣእካዮ ከኣ ጕዕዞኻ ብምቕጻል ኣርሒቕኻ ምስከድካ እታ ናትካ ክፍሊ ዝኾነት ገዳም ብብርሃን ባና ተዓፈና ክትርእያ ኢኻ” በሎ። ይኹን ድኣ እምበር ኣቡነ እንድርያስ ካብ ኣቡነ መርቆሬዎስ ክፍለ ኣይደለየን ነይሩ። ፍቓድ እግዚኣብሔር ስለ ዝዓቢ ግና ብብዙሕ ሓዘን ናብታ ዝተባህለቶ ከደ።

## ምእታው ኣቡነ እንድርያስ ናብ ወግረ ስኒን ዕፉን

ኣቡነ እንድርያስ ከምቲ ዝተነግሮ ንደቡስ ኣቢሉ ጕዕዞኡ ኣምርሐ። ኣብ ዓረዛ ምስበጽሐ ከኣ ናብ ቤተ ክርስቲያን ተኣልዩ ጸሎት ከብጽሕ ከሎ ደቂ እቲ ዓዲ ሬሳ ተሰኪሞም መጹ። እታ ወዳ ዝሞታ ሰበይቲ ድማ በቲ ዝወረዳ ሕእዘን ዳርጋ ጽላለ ኣድሂቡላ ኣምሪራ ትበኪ ነበረት። ኣቡነ ቅንድርያስ ድማ እቲ ብኣቡነ ኣርቆሬዎስ ዝተነግሮ ትንቢት ትዝ ስለ ዝበለሙ ነቶም ሰባት ካብቲ ሬሳ ከም ዝፍንተቱ ገይሩ ናብቲ ዓራት ቀሪቡ “ኦ ጕይታይን ኣምላኽይን ኢየሱስ ክርስቶስ ጸሎት ባሮትካ ሰሚዕካ ሕሙማት እትፍውስ፡ ምውታት እተተንሥእ፡ ጎዙናት እተጸናንዕ ኣምላኽ ኢኻሞ ኣተንሢእካ ንብኽያት እቶም ሕዙናት ናብ ስሓቕን ሓጐስን ከምዘየርካ ሕጂ ድማ ነዝ ብምኽንያት ሓደ ወዳ ኣብ ኃዘን እትርከብ ዘላ ኣደ ውላዳ ኣተንሢእካ ኃዘና ናዝዝ። ቀዳማይን ዳሕራይን ንሰኻ ኢኻሞ እቲ ናይ ቀደም ግብሪ ተኣምራትካ ሕጂ ኣብ ቅድሚ እዚ ኩሉ ሕዝቢ ፈጽሞ”። ክብል ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ብጸሎት ቀረበ።

ብድሕሪዚ ጕይታ ጸሎቱ ሰሚዑ ነቲ ዝሞተ ቆልዓ ኣተንሥኦ። ነዚ ተኣምራት እዚ ዝረኣዩ ሕዝብን ኣደ ምውትን በቲ ኣብ ቅድሚ ዓይኖም ዝተፈጸመ ተኣምራት ንኣምላኽ ኣመስገኑ። ድሕሪኡ ኣቡነ እንድርያስ ጕዕዞኡ ክቕጽል ኣብ ዝተበገሰሉ እዋን እቲ ሕዝቢ “ባርከነ ኣባ” እናበለ ክውዕል ክሓድር ለመኖ። ንሱ ከኣ ቃል እግዚኣብሔር ናኣስተምሃሮም ቀነየ። ንመፍቅዳ ኣርድእቱ ዝኸውን ካብቲ ሕዝቢ ዝረኸቦ እኽሊ ብዙሕ ስለ ዝነበረ ድማ ዝውጥሓ በቕልን ዝጸዓና መጽዓኛን ሂቡ ብኽብሪ ኣፋነዎ። ክኸይድ ከሎ ንዓረዛ ጸጋን በረኸትን ሽመትን ክብረትን ኣይሓቕኩም ብምባል መረቖም። ከምዚ ኢሉ ብዝባን ደብሪ ሓሊፉ ዓዲ ተስፋ ልዑል ቅልቅል ምስበለ ድማ ገዳም ወግረ ስኒን ከምቲ ብትንቢት ዝተነግሮ ብናይ ብርሃን ባና ተዓፈና ረኣያሞ ንኣምላኹ ኣመስገነ። እቲ ቦታ ብብርሃን ተጐልቢቡ ስለ ዝጸንሐ ከኣ ክሳብ ሎሚ ዕፉን ብምባል ይጽዋዕ ኣሎ። ጕዙኡ ብምቕጻል ቀጉልቀጉል ወሪዱ ነቲ ኣቀብ ተተሓሓዘ። እዋኑ ቀትሪ ኮይኑ ፀሓይ ስለ ዝመረሮ ሽምግልና ውን ስለ ዝኸበዶ ኣብ ሓደ እምኒ ተጸጊዑ ኣዕረፈ። እቲ ዓቢይ እምኒ ግና ከጽልለሉ ብዝኽእል መልክዕ ዕጽፍ ኢሉ ጽላል ኮነሉ። ክሳብ ሕጂ ከኣ ምዕራፍ ኣቡነ እንድርያስ እናተባህለ ይጽዋዕ ኣሎ። እቲ ብኡኡ ዝልፍ ነጋዳይ ንበረኽት ኢሉ ኣብኡ ከየዕረፈ ኣይሓልፍን እዩ።

ኣቡነ እንድርያስ ዓቐበት ወጺኡ ጥርዘ ጥርዚ ቀጺሉ ምስ ከደ እቲ ናይ ብርሃን ባና ከም ዝመ ቅንጥጥ በለሞ ዓቢይ በዓቲ ረኺቡ ኣብኡ ኣትዩ ተቐመጠ። እቶም ኣርድእቱ ኣብ ከባቢኡ ክሰፍሩ ከለዉ፡ ሰብ ዓረዛ ድማ ምርቓኡ ተቐቢሎም ናብ ዓዶም ተኣልሱ።

ኣቡነ እንድርያስን ደቂ መዛሙርቱን ኣብቲ ኣንበሳ፡ ነብሪ፡ ገበል ዝነብርዎ ብዱር ዝተሸፈነ ጽኑዕ በረኻ፡ ድምጺ ኣራዊትን ግርማ ለይትን ጸብኣኣጋንንትን ተዓጊሶም ቋርፍ በረኻ እናተመገቡ ከምኡውን መንገዲ ክልተ ሰዓት ዝኸውን ርሕቀት ከይዶም ማይ እናሰተዩ ይነብሩ ነበሩ።

## ንኣቡነ እንድርያስ ዝተዋህቦ ቃል ኪዳን

ኣቡነ እንድርያስ ብብዙሕ ተጋድሎን ትሩፋትን ኣብ ገዳም ክነብር ምስ ጸንሐ “ግብረ ዘወሀብከኒ ፈጸምኩ” (ዮሓ ኢሉ ካብ እግዚኣብሔር ቃል ኪዳን ተቐብሉ ብዓለት ፷፱ (29) መጋቢት ፲፬፻፹፰ (1484) ዓ.ም.ግ. ካብዚ ዓለም እዚ ኣዕረፉ ኣብኡ ኣብቲ ዝነበሮ በዕእቲ ተቐብረ።

ቅዱስ ኣቡነ እንድርያስ ስምካ ዝጸወዐ ብብዙሕ ይኹን ብወሑድ ከም ዓቕመ መዘኸርታኻ ዝገበረ፣ ኣልኣዛር ኣብ ሕቑፊ ኣብርሃም ከም ዝረፈቐ፣ ኣብ ሕቑፍኻ ክረፍቕ እዩ። ዓለት በዓልካ ዝተሳለመ፣ ዝነገደ፣ ከምፈያታዊ ዘየማን ንባሕሪ እሳት ብዘይፍርሓት ክሰግር ትብዓት ክህቦ እየ። መጽሓፍ ገድልኻ ዝሰምዐ፣ ንመንግሥተ ሰማያት ዘብቅዕ ቃል ሕይወት ከስምየ እየ። ኣብ ምድሪ ወዲ ማኅበርካ ዝኾነ ቀጽሩ ምስ ምኅበር ሰኹሪ ክኸውን እዩ። ብጸሎትካ ዝተማዕቁበን ስምካ ዝጸወን መዘኸርታኻ ዝገበረን ኣብ ቅድሚ መላእኽቲይ ክእመኖ እየ ናይ በደል መጽሓፍ ክድምስሰሉ እየ። ዝብል ቃል ኪዳን ተዋህቦ።

## ኩነታት ገዳም ወግረ ስጊን ኣብዚ እዋን እዚ

እዚ ገዳምዚ ከም ኩላተን ገዳማተ ኤርትራ ሃገርና ብብዝሒ ፈለስቲ ዝተመስአ ውዕዉዕ ግዳም ከምዝነበረ ይዝረበሉ። ሕጂ ግና እዚ ኩሉ የሎን። ዉሑዳትን ዝሸምገሉን መነኮሳት እምበር ዝትክኡ ተማሃሮ የለውን። ብወገን እቶትውን ዘለዎ የብሉን። እቲ ክሳብ ሕጂ ቤተክርስቲያን ኮይኑ ዘገልግል ዘሎ ድማ እዚ ቅዱስ ኣቦና ተቐቢሩሉ ዘሎ ብዓቲ እዩ። ማይ ልሒኹ መታን ከይኣትዎ ከኣኣ ብዝዘንጐ ከምዝኽደን ተገይሩ ኣሎ።

ካብቲ ቅዱስ ኣቡነ እንድርያስ በረኸት ተኻፈልቲ ምእንቲ ክንከውን ናይ ኩሉ ዝበ ክርስቲያን ምድግጋፍ ከምዘድልዮ እናዘኻኸርና ዝተኻእለ ሓገዝን ቆላሕታን ክግበር ነተሓሳስብ።

**ጸሎቱን በረኸቱን ናይ ኣቦና ኣቡነ እንድርያስ ምስ ኩላትና ዝበ ክርስቲያን ይኹን።**

✠ ✠ ✠

# ታሪኽ ጻድቕ

## ቅዱስ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ (ማዕቀበ ኣልፍ)

እዚ ቅዱስ ኣቦዚ ስም ኣቦኡ ክርስቶስ ሞኣ ክኸውን ከሎ ስም ኣዲኡ ከኣ ስነ ሕይወት ይበሃል። ናይ ትውልዲ ሃገሩ ከኣ ***ኢትዮጵያዊ*** እዩ። እዞም ክልተ ሰብ ቃልኪዳን ሰባት ድሕሪ ብዙሕ ጸሎትን ምጽዋትን ብናይ ቅዱስ ገብርኤል ብሥራት ነዚ ቅዱስ ዝኾነ ሕፃን ወለዱ። ሽሙ ከኣ ማዕቀበ እግዚእ/ማዕቀበ ኣልፋ/ ኢሎም ኣውጽኡሉ። ምስ ጐበዘ ከኣ ኣሎ ዝባሃል ናይ ቅድስት ቤተክርስቲያን ፹፩(81) መጻሕፍቲ ኣምሃርዎ። ድሕሪኡ ናብ ኣቡኡ ኣባ ዘካርያስ ዝተባሃለ መነኮስ ወሰድዎ ኣባ ዘካርያስ በቲ ሓዲርዎ ዝነበረ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ኣዝዩ ስለዝፈተዎ ኩሉ ሥርዓተ ምንኵስና ሓደ-በሓደ ድሕሪ ምምሃሩ ልብሰ ምንኩስና ኣልበሶ።

ንሱ ከኣ ብጸም፣ ብጸሎት፣ ብብሕትውና፣ ስግደት ንእግዚኣብሔር ከገልግል ጀመረ። እንተኾነ እቲ ዝፍጽሞ ዝነበረ ቅድስና ካብ መጠን ንላዕሊ ስለዝነበረ እቶም መነኮሳት መልኣኽ ድዩ ሰብ ብምባል የድንቕዎ ነበሩ።

ኣዝዮም ስለዝፈተውዎ ከኣ ኣብ ሓጺር ግዜ ዲቁና ክሸየም ፈቀዱሉ። ልክዕ ከም ቅዱስ እስጢፋኖስ መልኣኽቱ ቐጸለ ድሕሪዚ ጐይታናን ኣምላክናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንቅዱሳን መልኣኽቱ ሚካኤል፣ ገብርኤል ብምኽታል መጺኡ ሰዓሞ ቅዱስ እስትንፋሱ ከኣ ኡፍ በለሉ። ኣታ ፍቁር ወደይ ኤዎስጣቴዎስ ኣብ ማኅጸን ኣዴኻ ኮሎኻ ሓርየካ እየ'ሞ ንብዘሓት ኣሕዛብ መምህር ክትኸውን ዝመረጽኩኻ ማለት ካብ ሃገር ኣርመን(ኣርማንያ) ክሳብ ኢትዮጵያን ኤርትራን ናዓኻ ዝሰምዐ ንዓይ ከምዝሰምዐ፣ ናዓኻ ዝኣበየ ከኣ ንዓይ ከም ዝኣበየ እዩ ኢሉዎ ናብ ሰማይ ዓረገ።

ሽዑ ቅዱስ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ናብ ጳጳስ ከደ'ሞ ሽመት ክህነት ተቐብኣ። ብእኡ ከኣ ወንጌል ክምህር ተበገሰ። ንብዙሓት ሰባት'ውን ካብ መንገዲ ኃጢኣት ናብ ናይ ጽድቂ ጐደና መርሐም። ካብዚኣቶም ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ሃገርና ኣብ ከባቢ ዓረዛ ጥቓ ደብረ መርቆሬዎስ ደብረ ድማህ ማርያም በርቂሕ ዝተባህለት ጎቦ በዓቲ ብምዕጻው ንሰ(፯) ዓመት ዝኣ

ክል ጸሎት ገበረ። ምስ ኣምላኹ ተራኸበ። ከምኡ'ውን ኣብ ኣድያመ ጽልማ ከባቢ ድባርባ ኣብ 18 (፲፰) ዓበይቲ ድማታት ብናይ ጣያት ሥርዓት ስብሒ እናምለኹ፣ ጤለ በጊዕ እናሓረዱ፣ ሰብ ጽልማ ግብሪ ሰይጣን ዝፍጽሙለን ዝነበሩ ኣእዋም ብኃይሊ እግዚኣብሔር ቆሪጹ ብሓዊ ኣቃጺሉ ነቶም ካብ እምነቶም ተመዛቢሎም ዝነበሩ ሰብ ጽልማ ናብቲ ሓቃዊ ዝኾነ እምነት መለሶም።

ከምኡ'ውን ኣብ ከባቢ ኣሥመራ ጐዳይፍ ዝተባህለ ቦታ ትምህርቲ ወንጌል ሂቡ ከብቅዕ መወጽ ናይ ኣፉ ዝነበረት ረሲዕ ዋ ምስ ከደ ዓባይ ገረብ ኮይና ኣብ ጐዳይፍ ቤተክርስቲያን እንዳ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ብወገን ምብራኾ ዓባይ ገረብ ኮይና ትርከብ ኣላ። ብፁዕ ኣቡነ ኣብሳዲ ዝተባህለ ወዱ'ውን ንሓደ ዓመት ዝኣክል ኣብኣ ተቐሚጡ ይርእያን ንሕዝቢ ይምህረላን ነበረ።

ኣብ ሰላዕ ዳዕሮ ዝተባህለ ዓዲ'ውን ክሓልፍ ከሎ ዝምህረላን ዘዕርፈላን ብምንባሩ ብስሙ ኣብቲ ዓዲ'ቲ ቤተክርስቲያን ተስሪሕሉ ይርከብ። ከምኡ'ውን ኣብ ከባቢ ድባሩዋ ገዛ ላምዛ ዝተባህለ ዓዲ ብጸሎቱ ማይ ኣውጽኣ። ክሳብ ሎሚ ንብዙሓት ሕሙማት ፈውሲ ኮይኑ ይርከብ ኣሎ። እዚ ቅዱስ ኣቦና ንሕና ወይ ሃገርና ሓድሽ ሓዋርያ ዝብል ካልእ ቅጽል ስም ትህቦ። ምኽንያቱ ዋላኳ ኣቐድም ኣቢሉ ኣባ ሰላማ ከሣቴ ብርሃን ኣብ ድባርዋምስላም ወይ ኣረጊት ድባርዋ ንሠለስተ ወርሒ ብምቐማጥ ሥርዓተ ቍርባንን ክህነትን ምሂሩ እንተነበረ ብዝያዳ ንሃገረ ጽልማ ብእምነቱ ቀጥ ከምዝብል ዝገበረ እዚ ቅዱስ ኣቦና ኤዎስጣቴዎስ እዩ።ከምኡ'ውን ኣባ ሰላማ ፍሬምናጦስ ኣብ ከባቢ ሰንሒት ደብረሲና እውን 6 (፮) ወርሒ ይቀመጥ እምበር ቀልጢፉ ናብ ኣኽሱም ስለዝሓለፈ እቲ ሕዝቢ ኤርትራን ኣርማንያን ኣከባብራ በዓል ቀዳመ ሰንበት ሙሉእ ብሙሉእ ሥርዓተ ቤተክርስቲያን ዝማሃረና ማለት ብዝነውሐ ግዜን ዓመታትንሲ ንሱ እዩ። ከምኡ'ውን ብኢዱ ንብዙሓት ሰባት ኣመንኰሰ። ካብቶም ዝመንኰሱ ከኣ ስድራቤት ኣቡነ ኣብሳዲ፣ መርቆሬዎስ፣ ሓፍቶም መክብበ ደናግል፣ ወዲ ሓብቶም ኣባ ቴዎድሮስ ይርከብዎም። እቲ ካብ ኩሎም ዝዓበየ ከኣ ኣባ ኣብሳዲ ዘደብረ ክሳዜ (ደብረ ማርያም) ቆሓይን እዩ። ናብ መቓብር ጐይታናን ኣምላክናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ዝኾነት ኢየሩሳሌም ከኣ ክልግዜ ተሳለመ። ቁጽሪ ዘይብሎም ተኣምራት ገበረ፣ ኣጋንንቲ ኣውጽኣ፣ ለምጻማት ኣንጽሀ፣ ዕውራት ኣርኣየ፣ ምውታት ኣተንሥኣ።

## ጉዕዞ ናብ ኣርማንያ

ናብ ሃገረ ኣርማንያ ክኸይድ ከሎ ነቶም ደቂ ሓለቓ ኣባ ኣብሳዲ ገዲፉሎም ከደ። ካብ ኩሉ ክፉእ ነገር ክሕለዉ ከኣ ተላብዩ ሓደራ በሎም። ንኣርማንያ ጉዕዞ ኣብ ዝሓሰበሉ ነቶም ናይ መርከብ መራሕቲ ክማልእዎ ለመኖም እሞ ኣበይዎ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ነታ ተኸዲንዋ ዝነበረ ዓጽፉ ኣብቲ ባሕሪ ዘርጋሓ እሞ ምስ ደቂ ኣብኣ ብምጽዓን ልክዕ ከም መርከብ ኮይና እናኣገልገለቶ ክልተ መልእኽቲ እውን ብኽልተ ወገን ከም መራሕቲ መርከብ ኮይኖም ኣብታ ዝተመደበቶ ቦታ ሃገረ ኣርማንያ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ውን ሓላፊ ናይ መርከብ ተመሲሉ ክብጽሓ ከሎ ቅዱስ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ነታ ባሕሪ ብስም ሥላሴ ድሕሪ ምብራኹ ነቶም ደቂ ብናይ ባሕሪ ማዕበልን ግርማን ከይፈርሑ፣ ከይድንግጹ፣ ከምኡ'ውን ቂም ኣብ ልቦም ዘሎ ይቕረ ክባሃሉ ነገሮም። ኣብዚ ግዜ'ዚ ካባኻትኩም ሓደ እኂ ቂምን በቐልን ዘይሓድግ ዓርኪ ይሁዳ ዘሎ እዩ ዝመስለኒ ንሱ ከኣ ቂሙ እንተዘይሓዲጉ ኣብዚ ባሕሪ ካብ ብዝሒ ቂሙ ተሰጢሙ ከምዝተርፍ በመንፈስ ይረኣየኒ ኣሎ በሎም። የማነ ብርሃን ዝተባህለ ቂመኛ ልክዕ ከምታ ኣቦና ዝተነበያ ተሰጢሙ ተረፈ።ብፍቓድ እግዚኣብሔር ነቲ ባሕሪ ምስ ደቂ ተሳገረ እሞ ኣብታ ዝደልያ ሃገር ኣርማንያ በጽሐ። ምስ ሊቀ ጳጳሳት ከኣ ተራከበ። እቲ ሊቀ ጳጳሳት'ውን ቅድስናኡ ብምርኣይ ብኽብሪ ተቐበሎ ክሳዕ ግዜ ሞቱ ንናይ ኣርማንያ ሰባት ቃልወንጌል መሃሮም።

## ቃል-ኪዳን

***«ኄርካ ኄርካ ናብ መሬት፡ ዜርካ ዜርካ ናብ ቤት»*** ከም ዝ ባሃል ግዜ ፍልሰቱን ሞቱን ምስ ኣኽለ ጐይታናን ኣምላክናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ መላእኽቲ ብምኽታል ብኣካል ፡ በምምጻእ ምሉእ ብሙሉእ ቃል-ኪዳን ሃቦ። ማለት መጽሓፍ ገድሉ ዝጻሓፈ ምእንቲ ስሙ ዝተፈላለየ ግብረ ሠናይ ዝገብ ር መንግሥተ ሰማይ ከምዘውርሶ መሓለሉ ቅዱስ ኣቦና ፲፰( 18) መስከረም ኣብ ናይ ቅዱስ መርምህናም ቤተክርስቲያን ተቐብረ። ካብቲ መቓብሩ ከኣ ዝተፈላለየ ቀጽሪ ዘይብሎም ተኣምራት ተራእየ። እዚ ታሪኽዚ ካብ ናይ ዕለት ፲፰(18) መስከረም ስንክሳርን ካብ መጽሓፈ ገድሉን ዝተዋጽአ ሓቀኛ ታሪኽ እዩ።

***ጸሎቱን በረኽቱን ምስኹልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን ።***

- ሰላም እብል ለዘረከብከ ሞገሰ፡
- ምስለ ፈጣሪ ትትናገር ሱባኤያተ ስልሰ፡
- ኤዎስጣቴዎስ ዘሥጥከ ዲበ በድነ ሕፃን ነፍሰ፡
- ወጊዜ አዶከ ማዕበላተ ዘአልቦ አርማሰ፡
- በዘባነ ባሕር እንዘ ትሰፍሕ ልብሰ።

## ብናይ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ዝጸሓፍ ዛንታ ወለዶ

ትውልዲ ምንኮስና ገዳማተ ኤርትራ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ስለ ዝኾነ ናይ ኮላቶም ካብዚ ምእንቲ ክንጥቀም ካብ መጀመር ታ ክሳብ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ዘሎ ትውልዲ ምንኮስና እዚ ዝስዕብ እዩ።

ኣቡነ እንጦንዮስ ንመቃርዮስ፡ መቃርዮስ ንጳኩሚስ፡ ጳኩሚስ ንሊባኖስ፡ ሊባኖስ ንዳግማዊ መቃርስ፡ ዳግማዊ መቃርስ ንዓ ቢይ ኣድኃኒ፡ ዓቢይ ኣድኃኒ ንኣባ ያዕ፡ ኣባ ያዕ፡ ንብእሴ ሰላም፡ ብእሴ ሰላም ንኣባ ጸላንዴዎን ኣባ ጸላንዴዎን፡ ንኣባ ቅቡዕ በእግዚእ፡ ኣባ ቅቡእ በእግዚእ ንኣባ ኣትናቴዎስ፡ ኣባ ኣትናቴዎስ ንኣቡነ ይስሐቅ ጳጳስ ዘታኺታ ኣቡነ ይስሐቅ ጳጳስ ዘታኺታ ነቶም ኣርባዕተ ከሞክብቲ

1. ኣባ እብነ ሰንበልት
2. ኣባ ዮሓንስ
3. ኣባ ይህዕነነ እግዚእ
4. ኣባ በርናባስ

ኣባ እብነ ሰንበልት፡ ንኣባ ዳንኤል ኣባ ዳንኤል፡ ንኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ

1. ንኣቡነ ኣብሳዲ ዘደብረ ክሳሄ ደብረ ማርያም
2. ንኣቡነ መርቆሬዎስ ዘደብረ ድማጎ
3. ንኣቡነ በኪሞስ ዘደብረ ጸራቢ ትግራይ
4. ንኣቡነ ገብረኢየሱስ ኣቦ ኣቡነ ኣብራንዮስ ዘደብረጥሉል
5. ንኣቡነ ማትያስ ዘዓዲ ቀ ሓማሴን
6. ንኣቡነ ማቴዎስ ዘደብረ በርበረ
7. ንኣቡነ ማቴዎስ ግብጻዊ
8. ንኣቡነ ገብረኣምላኽ
9. ንኣቡነ ጴዋ ድንግል
10. ንኣቡነ ገብረመስቀል ዘላጋሶ

ካብዚ ብምብጋስ ኩላቶም ደቂ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ዘበሉ ክሳብ እቲ ኣቦኣም ክፈልጡ ይኽእሉ።

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ጻድኞ ቅዱስ ኣቡነ መርቆሬዎስ ዘደብረ ድማጎ ኤርትራ

ኣቡነ መርቆሬዎስ ትውልዱ ኣብ ገድሉ ከምዝሕብሮ ክሳዕ ሮቤል ወዲ ያዕቆብ ፸፪ (72) ትውልዲ ዝጠቕስኻ እንተኾነ ብሐጺሩ ትውልዲ ዓዱ ኢትዮጵያዊ ኮይኑ ኣብ ክፍለ ሃገር ትግራይ ኣውራጃ እንድርታ ንኡስ ኣውራጃ ወንበርታ ወረዳ ሐይቀ መሳሕል ፍሉይ ስሙ ዳብሽ እንዳ ማርያም ይበሃል። ኣብዚ ዝተጠቕሰ ቦታ ካብ ኣቡኡ ካህን ቶማስ ስምያን ካብ ኣዲኡ ሰሎሜ ሕይወት ብ25 ጎዳር ሰሉስ መዓልቲ 1274 ዓ .ም ተጸንሰ። ኣቡነ መርቆሬዎስ ፳፱ (29) ነሐሴ ሠሉስ መዓ ልቲ ድሕሪ ቀትሪ ሰዓት ሠለስተ ብ፲፪፻፸፬/ 1274 ዓ.ም ተወልደ። ንጊዚኡ ምስ ተወልደ ብኣንቃእድዎ ንሰማይ ብምጥማት ጸሎት ሕሊና ኣብጽሐ። ኣብቲ ቤት ዝነበሩ ሰብ ገዛን ኣጋይሽን ከኣ ብኣንክሮ ተዓዘቡ። ብምኞጻል ኩሉ

ዝፍጽሞ ዝነበረ ተግባር ናይ ዓቢይ ሰብ እምበር ናይ ሓደ ሕፃን ጠባይ ስለ ዘይኮነ ወለዱ ብምሉእ ልቦም የስተውዕ ልዎን ይዕዘብዎን ነበሩ። ካህን ቶማስ ውሉድ ስለ ዝሰኣነ ብዙሕ ይጭነቕን ይመባጸዕን ይጽልን ነበረ።

<u>ናይ ኣቡነ መርቆሬዎስ ታሪኽ</u>

እዞም ክልተ ቅዱሳን ወለዲ ተኣዘዝቲ እግዚኣብሔር ኣኽበርቲ ቅዱሳን ዝክር በዓል ናይ ቅዱስ ሰማዕት ፒሉፓዴራ ማለት መርቆሬዎስ ሰማዕት ወርሒ ወርሒ ዘብዕሉ ነበሩ። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ እምነ ሰሎሜ ኣብ ድቃስ እንከላ ድምጺ ገበረት፣ ቀሺ ቶማስ ብድንጋጸ " እንታይ ኾይንኺ" ኢሉ ሓተታ ሰሎሜ ድማ " ግሩም ራዕይ ረኣኹ" በለቶ። ቀሺ ቶማስ ድማ " እንታይ ራእዩ" በላ። *"ፀሐይ ሠረቀ እምሐቂክ እንዘ ይበውእ ውስተ ማኅፀንየ ርኢኩ"* ፀሐይ ክብ ሕቑኻ በሪቑ ናብ ማኅጸነይ ክኣቱ ረኣኹ" በለቶ። ነዚ ራእይ'ዚ ምስ ነገረቶ ቅዱስ ሰማዕት መርቆሬዎስ ጸሊም ፈረስ ተወጢሑ ምስ ሊቀ መላእኽት ቅዱስ ሚካኤል ካብ ሰማይ ናብ ቀሺ ቶማስን ሰሎሜን ብምምጻእ ነቶም ቅዱሳት ወለዲ ከምቲ "ወርሒ ወርሒ በዓለይ እናዘከርኹም፣ ተኽብርዎን፣ ተብዕ ልዎን ዘለኹም ኣነ ድማ ከምቲ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ዝሃበኒ ጸጋን፣ በረኸትን ንዓኻትኩም ካብቲ ኪዳነይ ከካፍለኩምን ከበስረኩምን መጺአ ኣሎኹ። እነሆ ከኣ ሕፃን ክትወልዱ ኢኹም ብርሃኑ ከም ፀሐይ ዝበርህ፣ ግርምኡ ካብ ግርማ ሌለት ዝግርም ሕፃን ክትወልዱ ኢኹም። ስሙ ድማ ብስመይ መርቆሬዎስ ኢልኹም ክትሰምይዎ ኢኹም" በሎም። መርቆሬዎስ ሰማእት ምስ ቅዱስ ሚካኤል ባሪኽዎም ናብ ሰማየ ሰማያት ዓረገ። ብድሕሪ እዚ ኣቦና መርቆሬዎስ ኣብ ፷፰ ጎዳር በዓል ናይ መርቆሬዎስ ሰማዕት ተፀንሰ።

ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ (ለይቲ) ከቢድ ሕልሚ (ራእይ) ረአየ። እዚ ሕልሚ'ዚ ምስ ተገልጸሉ ንበዓልቲ ቤቱ እምነ ሰሎሜ ገለጸላ። " ሎሚ ለይቲ ዝረኣኹዎ ሕልሚ ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ማለት ካብ ማኅፀንኪ ብሩህ ፀሐይ ክወጽእ ከሎ፣ ብድሕሪኡ ከኣ ብሩህ ወርሒ ሳልሳይ ድማ ኮከብ ጽባሕ፣ ከምኡ ውን ታራ ኮከብ ክወጽእ ርእየ" ኢሉ ገለጸላ።

ኣብ ከባቢኡ ፈታሒ ሕልሚ ነበረ'ሞ ነቲ ዝረአዮ ራእይ ነገሮ። ንሱ ከኣ ዓበይቲ ሰባት ቅዱሳን ወይ ነገሥታት ክትወልድ ኢኻ ኢሉ ፈትሐሉ። ካህን ቶማስ ነቲ ዝረኣዮ ሕልሚ ብምዝካር ሕፃን መርቆሬዎስ ንዝፈጸሞ ተግባር ኩሉ ብጥንቃቐ ይከታተል ነበረ።

ጸጋ ጥምቀት ካብ ዕለተ ልደቱ ኣብ መበል 40 መዓልቲ ምስ ኣኽለ ከምቲ ሥርዓት ቤተ ክርስቲያን ኣብ ደበሽን እንዳ ማርያም ጸጋ ጥምቀት ተቐበለ። ስም ክርስትንኡ ከኣ እሴተ ማርያም ተባህለ።

ካብ ጽንሲ ክሳብ ልደት ብዙኅ ተኣምራት ተገብረ። ብዙኃት ሕሙማትን ድዉያትን ተፈወሱ ኣብቲ ዝተወልደሉ ገዛን ንእድን ማይ ፈልፈሉ (ነቲዑ) ማየ ጸሎት ንሕሙማትን ድውያትን ዝፍውስ ኮይኑ ክሳብ ሕጂ መንክራት እናተፈጸመሉ ይነብር ኣሎ። ብድሕሪ'ዚ ኮነታት'ዚ ወለዱ ብምጽናዕ ካህን ቶማስ ናብ ኣኩኡ ብፁዕ ኣቡነ ጳውሎስ ወሰዶ። ገና ቅድሚ ምምጽኡ ናብ ኣቡነ ጳውሎስ " እዚ ሎሚ ዝመጽእ ዘሎ መንፈስ ቅዱስ ዝሐደሮ ሕፃን እዩ'ሞ ከም ታራ ህፃን ከይትርእዮ ብሥነ-ሥርዓት ሐዞ" ዝብል ሰብኣዊ ድምጺ ሰምዐ። ገጹ ግን ዘይርእዮ ድሕሪ ቁሩብ ሰዓታት ከኣ ካህን ቶማስ ንሕፃን መርቆሬዎስ ሒዙ ናብ ኣቡነ ጳውሎስ ሀሩግ በለ።

ኣቡነ ጳውሎስ ድማ ሰምበደ ዝረኣዮ ራእይ ገለጸሉ። ካህን ቶማስ ብወገኑ ተጸኒሱ ክሳብ ዝውለድ ተወሊዱ ክሳብ ዝዓቢ እተገብረን እተፈጸመን ትእምርትን ተኣምራትን ኣዘንተወሉ። ብኣንክሮ ኣደነቐ መንፈሳዊ ትምህርቲ ክመሃር - መረ። ጥበብ እግዚኣብሔር ኮይኑ ከኣ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ፴. ኢሉ መዝሙረ ዳዊት ተማሂሩ ፈጸመ ብሉይ ኪዳንን ሓድሽ ኪዳንን ኣጠናቀቐ። በዚ ኣቡነ ጳውሎስ ኣደነቐ። ብድሕሪ'ዚ ብፍቓድ እግዚኣብሔር ካብ ኣቡነ ጳውሎስ ናብ ገዳም ኣቡነ ዳንኤል ሃማና ከደ። ኣብቲ ገዳም'ቲ ብርድእና ንብዙሓት ኣረጋውያን ብምርዳእን ብኣገልግሎት ገዳምን ምስ ጸንሐ ኣብ መበል ፲፫፻፵/ 1340 ዓ.ም ካብ ክፍለ ሃገር ትግራይ ተበጊሱ ናብ ክፍለ ሃገር ሸዋ ከይዱ ካብ ብፁዕ ኣቡነ ጴጥሮስ ዝተባህለ ግብጻዊ ጳጳስ መዓርገ ዲቁናን ክህነትን

ተቐቢሉ። ካብ አቡነ ኤዎስጣቴዎስ ኣብ ደብረ ሃማና ምንኩስናን አስኬማን አብ መበል ፴፫/ 33 ዕድሚኡ ተቐበለ።

ንነዊሕ እዋን ብብሕትውና ድሕሪ ምጽናሕ ወንጌል ብምስባኽን ክርስትና ብምስፋሕን ኣብ ወሎ፣ ሽዋ፣ በጌምድር፣ ትግራይ እናተዘዋወረ ብዙሕ ትምህርትን ተኣምራትን ሕሙማት ብምፍዋስ ምውታት ብምንትንሣእ፣ ንኣስታት ፮፯/ 67 ዓመታት ተጋደለ።

ብድሕሪዚ ብኣካል ምስ ናይ መንፈስ ኣቡኡ አቡነ ኤዎስጣቴዎስ ተራኸበሞ ናብ ሃገር ኤርትራ ከምዝሳገር ብመንፈስ ቅዱስ ተነግሮ። አቡነ ኤዎስጣቴዎስ ንግዚኡ ብመረብ ዓቢ ተሳጊሮ በራቒት ኣተወ። አቡነ መርቆሬዎስ ግን ናብ ሃረ ጸሊም ቤት ጉሩሳ ዝተባህለ ገዳም ተመሊሱ ንደቀ መዛሙርቱ ኣመሐዲሩ ወሮ ዝተባህለ ለማዳ ተመን ከም ረዳኢ ኮይኑ ዘገልግሎ ብቓል ሰብ ዝዛረብ ነበሮ እሞ ኪድ ነቦና አብ በራቒት ክትረኽቦ ኢኻ እሞ ነዚ መልእኽቲዚ ንገሮ። “ኣብቲ ዘለኻዮ ክትቅኒ ዲኻ አብኡ ክመጸካ፡” በሎ። ናይቲ መልእኽቲ መልሲ ሒዝካ ናብዚ ምጻእ ክጽበየካ እየ። ካብዚ እግዚኣብሔር ናብ ዝመርሐና ኀኸይድ። ወሮ ነቲ መልእኽቲ ብህፁፅ ናብ አቡነ መርቆሬዎስ ኣብጽሐ። አቡነ መርቆሬዎስ ካብ ሃረ ላዕላይ ቆራሮ ንበራቒት ቆሐይን ናብ አቡነ ኤዎስጣቴዎስ በጽሐ። ካብዚ ተላዒሉ ንዝባን ቆሐይን ትምህርቲ እናሃበ ናብ ከባቢ ማይምነ ከኣ ኣተወ። እቲ ሕዝቢ ፈጺሙ ካብ እግዚኣብሔር ርሒቑ ናብ ናይ ሰይጣን ግዝኣት ኣትዩ ጸንሐ። ለይትን መዓልትን ብዘይ ምቁራጽ ትምህርቲ ሃይማኖት ይምህር ነበረ።

ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ምሸት ሰይጣን ሰብ ተመሲሉ ኣብቲ ዓዲ እናዞረ እዞም ባሕታውያን ተመሲሎም ዝሰብኩኹም ዘለዉ ስሱዓት እዮም። ጽባሕ ሰብኩምን ጥሪትኩምን ከጥፍኡኹም እዮም። ስለዚ ተጠንቀቑ እናበለ ለፍለፈ። ንሳቶም ከኣ እንታይ ክንገብር ይሕሸና፡ በልዎ። ተኸታቲልኩም ኣብታ ዝዓርፉላ ኣጉዶ ኣትዮም ምስ ደቀሱ ኩሉኹም ከቢብኩም ብሐዊ ጌርኩም አንድድዎም፤ እምበር ከጽንትኹም እዮም ዝብል ሰይጣናዊ ምኽሩ ለገሰሎም። ንሳቶም ከኣ ብዙሕ ተሐጐሱ። መዓስ ይመሲ ክብሉ ውዓ ሎም ተሓላልዮም ኣብታ ዝዓርፉላ ኣጉዶ ኣትዮም ቆይሞም ክጽልዩ ከለዉ እታ ዘለዉዋ ኣጉዶ ብቐጽበት ብሓዊ ተቓጸለት ንሳቶም ግን ከም ሠለስቱ ደቂቅ ሃልሃልታ ሐዊ እኳ ኣይተንከዮምን። ንግሆ ተቃጺሎም ዝጸንሐዎም መሲልዎም እንተመጹ ኣብቲ ዝተቓጸለ ኣጉዶ ተቐሚጠም ክጽልዩ ጸንሕዎም። ብድሕሪዚ እቶም ሕዝቢ ብሐባር ተኣኪቦም ይቐሬታ ሓተቱ። ነዚ መግበሪና ከኣ ቅድሚ ትማሊ ሐደ ዘይንፈልጦ ሰብ እናዞረ እዞም ባሕታውያን መሲሎም ዝሰብኩኹም ዘለዉ መታለልቲ እዮም ቡዳታት እዮም። ሰብኩምን፣ ጥሪትኩምን ክትበትኩ ኢኹም ዝብል ምኽሪ ምስ ሰማዕና ኢና ኣብ ርእሸኹም ዝፈጸምናዮ በደልን ግፍዕን'ሞ ይቐረ በሉልና። በቲ ክፉእ ተግባርና እግዚኣብሔር ከየጥፍአና ጸሎት ግበሩልና ኢሎም ኩሎም ኣብ ምድሪ ወደቑ። ኣቦታት ከኣ ኩሉ እኩይ ካብ ጸላኢ ሠናያት ምኽኑ ስለዝፈለጡ ይቐረ በሉሎም ሥርየት ከኣ ሃብዎም። ብሃይማኖትን ምግባርን ከምዝጸንዑን ትምህርትን ማዕዳን ከኣ ሃብዎም። ብድሕሪዚ ካብቲ ቦታ ተኣልዮም ንቐላ ሠራየ እንዳ ማርያም በርቂሕ ዝተባህለ ሕጂ ደብረ ደናግል ናይ ደብረ ድማጎ ኮይኑ ዘሎ። ኣብዚ ዝተሰምየ ቦታ አትዮም ምስ አቡነ ኤዎስጣቴዎስ ንሃ (፯) ዓመታት ዝአክል ጽኑዕ ብሕትውና ሒዞም ተቐመጡ። ብድሕሪ 7ተ (፯) ዓመታት ሱባኤ ንሃገር አርማንያ ቃል ወንጌል ክሰብኩላ ዕረፍቲ ከኣ ኣብኡ ከምዝኾነ ንአቡነ ኤዎስጣቴዎስ ተገልጸሉ። ኣቡነ መርቆሬዎስ ከኣ ብፃዕዳ ርግቢ እናተመርሐ ኣብዚ ሕጂ ዘሎ ገዳም ደብረ ድማጎ ክፍሉ ኣብጽሐ። ኣብቲ ቦታ ምስ በጽሐ ኣቀማምጣእን ጽርየታን ምስ ረኣየ ብዙሕ ተሐጐሰ። ብኣርባዕተ መአዝና ኮሊሉ ከኣ ባረኾ። ተመላሊሱ ምስ ረኣያ እዛ ቦታ እዚኣ ንዘለዓለም ምዕራፈይ እያ በለ። እቶም ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ሕዝቢ ንኣርማንያ ከምዝኸዱ ምስ ተሰምዐ ኣቦታት ረድኤት ክኾነና ቀዲስኩም ኣቑሩቡና ዝብል ልማኖ ኣቐረቡሎም። ጥሪ ዕለት ፲፰ (18) መዓልቲ ንቕሩባን ዝተዳለዉ ሕዝቢ አስታት ፭፻/ 500 (ሓሙሽተ ሚእቲ) እዮም። አቡነ ኤዎስጣቴዎስ ሠራዊ

ካህን፣ ኣቡነ መርቆሬዎስ፣ ዲያቆን ኮይኖም ቅዳሴ ኣትዮም *“ንዘነ ንሕበር”* ክበሃል ከሎ ከቢድ ድምጺ ዘለዎ ነጐዳ ተሰምዐ። እታ መቐደስ ብነጸብራቕ ብርሃን ውሽጣን ግዳማን ተጐለበበት። ካብዚ ዝተላዕለ ብስምባደ ኩሎም ምእመናን ከም ቁጽሊ ረገፉ። 10ተ (፲) ምእመናንን ምእመናትን ማለት ፮ / 5ተ ሰብኡት ፭ / 5ተ ከኣ ኣንስቲ ቅዱስ ቍርባን ክቐበሉ ከለዉ። ካልኦት ግን ፍጹም ናብ ምውታት ተለዊጦም ክሳብ ሰርሆተ ሕዝቢ ዝኸውን ከም ምዉታት ኮይኖም ጸንሑ። ብድሕሪ ቅዳሴ ቅዱሳን ኣቦታት ንነዊሕ ጊዜ ጸልዮም ኣተንሥእዎም።

እቶም ሕዝቢ ብምሉኦም ኣብ እግሪ ቅዱሳን ኣቦታት ወዲቖም ይቕሬታን ምሕረትን ለመኑ። ኣቦታት ከኣ ይቕሬታን ሥርየትን ሂቦም ኣፋነዉዎም። ኣብ ብሕትውና ን 7 ዓመታት ዝኣክል ክቐመጡ ከለዉ ብዘይካ ሓንቲ ማእምንት ሰበይቲ ሓደ ሰብ እኳ ዝጠየቖም ኣይነበረን። ስለዚ *“እኩያን ሰብኡ ዚኣሃ”* ናይዛ ቦታ እዚኣ ሰብ ክፉኣት እዮም ኢሎም ተዛረቡ እምበር ኣይረገሙን ኣይመረቑን።

ካብዚ ተላዒሎም ናብ ዞባ ማእከል ደየቡ። ንኃያሎ መዓልታት ትምህርቲ ድሕሪ ምሃብ ከኣ ናብ ምራራ ወረዱ። ኣብኡ ወዲ ኣእጋእ ጋንዛይ ምራራ ብሐጐስ ተቐበሎም። ኣብኡ ቀንዮም ከኣ ንማርሳ ተኽላይ ጉዕዞ ቐጸሉ። ብዙሕ ሀሩርን ጸምእን ንዝተጓነፎም ተጻዊሮም ኣብ ጥቓ ወደብ ኀክበጽሑ ምስ ቀረቡ ቀዳመ ሰንበት ኮይኑ ዕረፍቲ ገበሩ። መንፈስ ቅዱስ ብራእይ ብትምህርትኹም ዝጥቀሙ ስለ ዘለዉ መገድኹም ብምድሪ ኖብያ (ሱዳን) ይኹን ዝብል ተነግሮም። እንደገና ብገመል ተጻዒኖም ናብ ምድሪ ኖብያ (ሱዳን) ኣተዉ። ድሕሪ ናይ ሓደ ወርሒ ጉዕዞ ናብ ሱዳን ምእታው ምስ ተቓረቡ ኣብቲ ጊዜ'ቲ ሱዳን ኣብ እምነት ክርስትና ከምዝነበረት ገድለ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስን ኣቡነ መርቆሬዎስን ይሕብር። ናይ ሱዳን ንጉሥ ጊዮርጊስ ይበሃል። ንሱ ዓበይቲ ሰባት ግሩማት ይመጽኡ ኣለዉ ዝብል ዜና ሰሚዑ ካብ ከተማ ወጺኡ ምስ ብዙሕ ሠራዊት ኮይኑ ብኽብሪ ተቐበሎም። ብሕት ዝበለ ስፍራ ተዋሂቦዎም ከኣ ብዘይ ዕረፍቲ ትምህርቲ ሃይማኖት ብምሃብ ሕሙማት ብምፍዋስ፣ ድሕሪ ምቕናይ ብእግሪ ጉዕዞ ንግብጺ ኣትዮም ኣስታት ሠለስተ ወርሒ ኣብ ሐንቲ ክርስቲያን ዚዛ ዝተባህለት መበለት ጸንሑ። ብዙሓት ደቂ መዝሙር'ውን ኣፍረዩ። ካብኡ ንደሴተ ቆጽሮስ ብመርከብ ተሳገሩ። ኣብ ደሴት ቆጽሮስ ውን ሐዋርያዊ ተልእኾ ፈጸሙ። እምባታት ቆጽሮስ ኣቦታት ንምቕባል ተሰራሰሩ። ብድሕሪኡ ንኣርማንያ ክንዕዙ ሕጽረት ገንዘብ ኣጋጢምዎም ነቲ በዓል መርከብ ቀሰይ ኢልና ገንዘብ ክንከፍል በኃኻ ተማልኣና ኢሎም ለመንዎ። ብዘይ ገንዘብ ኣየሳፍርን እየ ኢሉ ከኣ ኣበዮም።

## ካብ ኣቡነ መርቆሬዎስ ዝፈረዩ ኣበይቲ ኣቦታት፡-

1. ኣቡነ እንድርያስ ዘደብረ በርበረ ዕፉን ዕቦል ዞባ ደቡብ
2. ኣቡነ ገብርኄር ዘኂኹያ (ኣብዝሓቶ) ናይ ዓዲ ጭዕንዶግ ቦታ ዞባ ደቡብ
3. ኣቡነ ማትያስ ግብጻዊ ዓረዛ ዞባ ደቡብ
4. ኣቡነ መርሀምናም ዘዓዲ ንኣምን ከባቢ ዓረዛ ዞባ ደቡብ
5. ኣቡነ ኣብርሃም ዘዓዲ ሠራዋት መራጉዝ ዞባ ደቡብ
6. ኣቡነ ገሪማ ዘቅናፍና እንዳሐበሻ ጉንዶ ከባቢ ደብረዕጌ ዞባ ደቡብ
7. ኣቡነ ዳግመ ኢይመወት ዘዓዲ ደጐመሚት ሃርፈጉረቶ ዓናግር ዞባ ደቡብ
8. ኣቡነ ማቴዎስ ዘደቆጽንዓ ጽልማ ዞባ ደቡብ
9. ኣቡነ መንጢኖስ ዘማይ ኣፈልባ ከባቢ ደብረድማኅ ዞባ ደቡብ
10. ኣቡነ ኣሚን እግዚእ (ኣባ ነኣምን እዝጊ) ዘእምብላላሕ ኣብ ሞንጎ ክልተ ጎቦታት
11. ኣቡነ ናፍር ግብጻዊ ዘቆታብ ጸዓዘጋ ሓማሴን ዞባ ማእከል
12. ኣቡነ ብሶይ ዘናዕዴር ትግራይ ከባቢ ኣኽሱም
13. ኣቡነ ዘካርያስ ዘቀርነ ኣንበሳ መዳልባ ሽሬ
14. ኣቡነ ይስሐቅ ዘዝዋብ ጉሕጺዓ

15. አቡነ ዮስጢኖስ ዘአደጎልቦ ቆሓይን በዓል ዓቢ ማየ ጸሎት

## ካልኣይ ድሒሮም ዝፈረዩ ዓበይቲ አቦታት

1. አቡነ መርቆሬዎስ ሊቀጳጳስ ናይ ባሌጎባ (ኢትዮጵያ)
2. አቡነ ባስልዮስ ጳጳስ ናይ ዞባ ማእከል
3. መምህር ተወልደ ብርሃን

አባ ዘካርያስ ዘቀርነ አንበሳ ሽሬ፡ ንአባ ፊልጶስ ዘባንብቆ ሰፍኣ፡ ወለደ። አባ ፊልጶስ ዘባንብቆ ንአባ ተክለ ኢየሱስ ዘዓዲ ሕዝባይ ጉሕጺዓ ወለደ።

***ጸሎቱን በረኽቱን ናይ አቡነ መርቆሬዎስ ምስ ኵሳትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።***

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ጻድቕ ቅዱስ አቡነ ኣብሳዲ ዘደብረ ክሳሄ ደ-በረ ማርያም ዞባ ደቡብ

አቡነ ኣብሳዲ ካብቶም ሸውዓተ ደቂ አቡነ ኤዎስጣቴዎስ በከ ኑሪ ወዱ ኾይኑ ናይ ሥጋ ወለዱ ከኣ አቦኡ ካህን ቶማስ ወዲ ስምየን ኣዲኡ ቅድስት ሰሎሜ ጓል ሕይወት ብነ እዮም ። ዓዶም

አብ ትግራይ ዳብሽ እንዳ ማርያም ደብረሲና ኣውራጃ እንድርታ ወረዳ ወንበርታ ብፍላይ ዓዱ ከኣ «ሐይቀ መሳሕል» ትብሃል እያ። እዞም ክልተ ፈራህያን እግዚኣብሔር ዝኾኑ ቅዱሳን አቦን ኣደን ብመንገዲ ሓቅን ጽድቅን በታ ቅንዕቲ ሃይማኖት ተዋሕዶ ኦርቶዶክስ ጸኒዖም ክነብሩ እንከለዉ ካህን ቶማስ ንሸኾሪ ወዱ አቡነ መርቆሬዎስ ምስ ወለደ ንቅድስቲ እምነ ሰሎሜ ከይነገራ ስንቂ ግበርለይ ብምባል ደጊም ይኣኽለኒ እዛ ዓለም እዚኣ ኃላፊት እያ እሞ ናብታ ዘይትሓልፍ ዓለም ምኻድ ይሕሸኒ ኢሉ ናብ ባሕታዊ አቡነ ኤዎስጣቴዎስ ከደ። ሽዑ አቡነ ኤዎስጣቴዎስ ንካህን ቶማስ ክሓቶ እንከሎ ብፍቓድ ሰበይትኻ ዲኻ መጺእካ ወይስ ተሓቢእካ ኢሉ ሓተቶ። ንሱ ተሓቢኣ እየ መጺኤ ኣይነገርክዋን በሎ። በል እምበኣርከስ ንሰበይትኻ ብዘይ ሓደ ምኽንያት ማለት ከም ክሕደት ወይ ዝሙት ከይረኸብካላ ንምምንኪስ ኣይፍቀድን ስለዝኾነ ኣየመንኵሰካን እየ። ዋላ ሕጂውን እንተኾነ ኣይኮነልካን እዩ በሎ እሞ ንገዝኡ ንዓዱ ብታሕጓስ ተመልሰ። ከሐጕሶ ዝኸኣለ ከኣ ብዘይ ሓደ ነገር ኣይኮነን (ኣይነበረን)። ንሱ ከኣ ኣብቲ ግዜ'ቲ ማንም ሰበይቲ ሰብኣያ እንድሕር ገይሹ ብዘይ ሰብኣይ ናይ ምሕዳር ልምዲ ስለ ዘይነበረ እሞ ደይ ምስ ሓወይ ክትዝሙ ክትጸንሓኒ እያ ብዝብል ሓሳብ ነበረ። ሽዑ'ውን እንተኾነ መገሻ ኣሎኒ እሞ ስንቂ ኣዳልውለይ በላ ። እሞ ብመስኮት ኮይኑ ከኣ ንቅድስቲ እምነ ሰሎሜ ተጸናጸና (ተቃጸዋ)። ልክዕ ከምቲ ዝደለዮ ሓሙታ ብዝሙት ሓተታ። እንተኾነ ኣነ ሰይቲ ካህን እየ ብማለት ፈንጺጋቶ ከደት ። ንሱ ከምዘይተቐበለቶ ምስ ረኣየ ናብ ቤቱ ሰላሕ ኢሉ ተመልሰ። ካልኣይ መዓልቲ ንጽባሒቱ እውን ፈተና እንተኾነ ንሳ ከኣ ከም ቀደማ ኣይተቐበለቶን ብኽምዚ ዓይነት ክሳብ ሠለስተ መዓልታት ኣበየቶ። ማለት ኣነ ሰበይቲ ንጹሕ ካህን እየ ሕጊ ሙሴ ኦሪት እንተኾነ'ውን ኣይትዘሙ ስለ ዝብል ኣንታ ርኹሶስ ከልቢ ኪድ ርሓቕ በለቶ። ካህን ቶማስ ነዚ ኩሉ እምነት ናይ ሰበይቱ ድሕሪ ምርኣይ'ውን እንደገና ንኻልኣይ ግዜ ናብ አቡነ ኤዎስጣቴዎስ ክመንኵሶ ከደ።

አቡነ ኤዎጣቴዎስ ብመንፈስ ቅዱስ እቲ ኩሉ ዝገበሮ ዝተጸናጸነ ስለ ዝተራእዮ ኣንታ ርጉም ነዛ ቅድስቲ ዝኾነት ሰበይትስ መመኽነይታ ምእንቲ ክኾነካ፡ ተጋጊኻ ኢኻ እሞ ከድ «ይቕሬታ» ሕተታ ካባኻ ዝውለዱ ንጹሃት ሰባት ስለ ዘለዉ ምንኵስና ዕድልካ ኣይኮነን *«ሀለዉ ኦርጋብንጹሐን ዘይትወለዱ እምኔከ ወውእቶሙ ኣብሳዲ ወማቴዎስ ወመክብበ ደናግል እሙ ለቴዎድሮስ»* ድሕሪ'ዚ ዘይከውን ምስኮነ ናብታ እምንቲ በዓልቲ ቤቱ ተመልሰ። ብቅዱስ ብሥርዓት ሰብኣይን ሰበይትን ከኣ ንኣቡነ ኣብሳዲን ካልኦትን ወለደ አቡነ ኣብሳዲ በዕለት ፲፮ (16) የካቲት ተወልደ ማለት ብ፲፱፫፯/ 1277 ዓ.ም እዩ ኔሩ። ስም ጥምቀቱ ከኣ "ሀሎ ክርስቶስ" ተባህለ። አብ ግዜ ምንኵስናኡ ብአቡነ ኤዎስጣቴዎስ «አብ ሳዲ» ተባህለ ትርጉሙ አቦ ናይ ብዙሓት ማለት እዩ።ሓደ ግዜ ካህን ቶማስ ንወዱ «አቡነ ኣብሳዲ እንስሳ እናሓለወ እንከሎ ሓደ ሰብኣይ አቦኻ ቀሺ ቶማስ ሓደ ዝራብዕ ውሰድ ስለ ዝበለኒ ሓደ ዝራብዕ ክወስድ እቲ ዝወስዶ ከኣ አቦኻ ዝ

ሓበረኒ ዝራብዕ እዩ። ምልክቱ ከኣ ላዕለዋይ ስኒ ዘይብሉ እ
ዩ በሎ። «ሀሎ ክርስቶስ» ከኣ ክወስድ ፈቐደሉ ግንስለ ዝ
ተጠራጠረ ነቲ ዝወሰዶ ዝራብዕ(ብዕራይ) መለሶ ከምኡውን
ካልእ መዓልቲ ሓደ «መጻጉእ» ሓንካስ ብኣድጊ ተጻዒኑ
ካብ ቦታ ናብ ቦታ ብልማኖ ዝመላለስ ዝነበረ ሰብኣይ እቲ
ዝውጥሑ ዝነበረ ኣድጊ ሞቶ'ሞ ኣድጊ ዝህበኒ ብምባል ዓው
ኢሉ ይጭድር ነበረ። ሽዑ ሀሎ ክርስቶስ ልማኖናይቲ መጻ
ጉእ ስለ ዘደንገጸ ኣነ ኣድጊ ሂበካ ኣሎኹ በሎ።ወሰዶ ከኣ
ሸዑ እቲ ስንኩል ኣብቲ ኣድጊ ተጻዒኑ ዓውዲ ዓውዲ እናኸ
ደ ክልምን ከሎ ናብ ናይ ካህን ቶማስ ዓውዲ በጽሐ እሞ
ካህን ቶማስ እዚ ኣድጊ'ዚ ድኣ መን ሃበካ በሎ። እቲ ስንኩ
ል ከኣ ሓደ ቡሩኽ፣ ቅቡእ ዝኾነ ቆልዓ እዩ ሂቡኒ በሎ። ካ
ህን ቶማስ ኣድግስ ኣድገይ እዩ። በል ነቲ ዝሃበካ ሕፃንን ን
ዓይን ጸሎት ጥራይ ግበረልና እምበር ቀውዒ ክሳብ ዝውዳ
እ ተጠቕመሉ በሎ « ሀሎ ክርስቶስ» ልክዕ ወዲ ፲፪ /
12 ዓመት ምስ ኮነ ናብ ኣኩኡ ናብ ባሕታዊ ኣባ ገብረ
መስቀል (ጳውሎስ) ብምኻድ መንፈሳዊ ትምህርቲ ኀኽመህር
ወለዱ ከይነገረ ብፍቓዱ ከደ። ኣኩኡ መምህር ገብረመስቀ
ል (ጳውሎስ) ከኣ ከመይ ኢልካ መጺእካ ኢሉ ሓተቶ። ን
ሱ እዛ ዓለም እዚኣ ከም ጽላሎትን ብርሃን ፀሐይን ኃላፊትስ
ለዝኾነት ነታ ዘይትሓልፍ ዓለም ምእንቲ ክረክባስ ኣመንኮሰነ
ኒ በለ።- ኣኩኡ መምህር ገብረመስቀል ከኣ ናብቲ ዓቢይ ባ
ሕታዊ ዝኾነ ናብ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ሰደዶ። ቅድሚ ናብ
ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ምስዳዱ ንወለዱ ነገሮም ወለዱ'ውን
መጺኡም ለመንዎ። እንተኾነ ሀሎ ክርስቶስ ንድሕሪት ከም
ዘይምለስ ዓለም ከኣ ንዕኡ ከምዘይትበቅዕ ወገዘ እሞ ዘይከው
ን ምኻኑ ምስ ፈለጡ ገዲፎሞ ንገዝኡም ተመልሱ።- እዚ
ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኣቦ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ከኣ 8 መጻሕ
ፍቲ ቤተክርስቲያን መሃሮ ተማሂሩ ምስ ወድአ ወዲ ፳፬/
24 ዓመት ምስ ኮነ ኣስኬማ ዘመላእክት ለበሰ (መንኰሰ)
። ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ከኣ እቲ ሓዲርዎ ዝነበረ መንፈስ ቅ
ዱስ ብምርኣይ ኣጻቢቑ ባረኾ መረቕ ሰዓሞ'ውን። ኣብታ
ዝሰዓሞ ኣካል ከኣ ጠለለት ተሰምዓቶ። ፃዕዳ ጸጉሪ ከኣ ኣ
በቕለት።

ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ንኣርማንያ ክኾይድ ከሎ ወይ ከኣ ምስ
ሐሰበ ንብዘለዉ ደቂ 1/ ኣቡነ ኣብሳዲ 2/ ኣቡነ መርቆሬ
ዎስ ብትሩፋቶምን ብኣእምሮኦምን ዝበለጹ ስለዝነበሩ ኀኽልቲ
ኦም ኣሕሉቕ ወይ ኣመሓደርቲ ሸመሎም። ኣብቲ ቡራ
ኬኡ ከኣ ከምዚ ኢሉ ባረኾም። «ቡራኬን መስቀልን ን
ወደይ ኣብሳዲ» «ስብኩተ ወንጌልን፣ ብቕዳምነት ኣብ መንበ
ር ምቕማጥን ዕብየትን ከኣ ንወደይ መርቆሬዎስ ኢሉ ተላበ
ዎም። ካብዚ ዝተላዕለ ክሳብ ሎሚ ዝኾነ ታራ ፈላሲ ናይ
ደብረ ማርያም (ደብረ ክሳሄ) ኣብ ዝህልወሉ ንሱ ይባርኽን
ይምሃረነ'ውን ናቱ ክኽውን እንከሎ፣ ከምኡ'ውን ነቲ ናይ ደ-
በረ ድማጎ ተራ ፈላሲ መነኮስ መንበር ቀሪቦም ኣብ ማእከለ
ኦም ኮፍ ከብልዎን ክኽብርዎን ይርከቡ ኣለዉ። እቶም ደ
ቂ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ዘይኮኑ ገዳማት ኤርትራ ግን ከም
እንዳ ኣቡነ እንድርያስ ስፍኣ፣ ገዳም ጸዕዳ እምባ ቅድስት ሥ
ላሴ፣ ገዳም ደብረ ሲና እንዳ ዮሓኒ ዝኣመሰሉ ገዳማት ግን
በዚ ሕጊ'ዚ ኣይቅየዱን እዮም። ከምቲ መምህሮም ኣቡነ ኤ
ዎስጣቴዎስ ዝተነበየሎም ዝነበሩ ከኣ ኣእላፍ ዝኾኑ መነኮ
ሳት ወለዱ። ብገዳማት ዝጽውዑ ካብ ፭/20 ንላዕሊ ዝኾ
ኑ ገዳማት ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ይርከቡ።
ንኣብነት፡- 1. ደብረ ኮል እንዳ ኣቡነ ቡሩኽ ንኣቡነ ኣብሳ
ዲ ወዲ ወዱ ወዲ ኣቡነ ዘካርያስ ክኾኑ ከለዉ። 2. ኣቡነ
ዮናስ ዘደብረ ጽጌን ደብረ ሳህልን ደብረ ድሁሃንን፣ ኣቡነ ዮ
ናስ ናይ ሙንኮስና ቆቢዕ ካብ ወዲ ኣቡነ ኣብሳዲ ኣቡነ ድ
ምያኖስ ዛይደኮሎም-ጥቕ እንዳ ኣቡነ ዮናስ ቆሓይን ማለት
ኤዎስጣቴዎስ ንኣብሳዲ፣ ኣብሳዲ ንሙሴ፣ ንሙሴ ንዲምያኖ
ስ ዲምያኖስ፣ ንኣቡነ ዮናስ ሠለስተ ገዳም ዝገደመ ኣቦ እ
ዩ። ማለት፡-

1. ደብረ ጽጌ ኣብ ወረዳ ትምዛእ ትርከብ ዞባ ደቡብ ከባቢ
መንደፈራ
2. ገዳም ደብረ ድሁሃን ኣብ ቆሓይን እትርከብ ከባቢ ማይ
ምነ
3. ገዳም ደብረ ሳህል ኣብ ወረዳ ዛይደ-ኮሎም እትርከብ
ሓደ ግዜ ካብ ብዝሒ ትህርምቲ ጸም፣ ጸሎት፣ ዝተላዕለ ኣካ
ላት ኣቡነ ኣብሳዲ ክፈላለ ቀሪቡ ነበረ እሞ ሓደ ሕቡእ ባሕ
ታዊ መጺኡ ሥጋን ደምን ናይ ጐይታናን ኣምላኽናን መድ

ታኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ኣቐበሎ ተሓደሰ። ስርሑ ከኣካ
ብ ናይ ቀደም ብዝበለጸ ቀጸለ።
ካልእ ግዜ'ውን ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ
ክርስቶስ ሕፃን ተመሲሉ መጺኡ ፃዕዳ ልብስን ወርቃዊት መ
ጽሓፍን ሃቦ።
ሓደ ግዜ ካብ (ሮማ) ደቂ ልዮን መጺኦም ብዛዕባ መጻሕፍ
ቲ መን ኣሎ ከማና እናበሉ ንብዙሓት ካህናት ምስ ኣ
ሸገሩ ኣቡነ ኣብሳዲ መምህር መጽሓፍ ስለዝነበረ ኣብ ከባቢ
ዓረዛ ኣብ ዓዲ ሠምራ ዝተባህለት ዓዲ ኣኼባ (ጉባኤ) ፡
በምግባር ክትዕ ገጠመ እሞ ኣከዳድና ክዳውንቲ ናይቶም
ልዮናውያን ኣዝዩ ዘንጸባርቕ ልብሰ ተክህኖ ልብሰ መንኩስና
ን ልብሰ ጵጵስናን ክኽውን እንከሎ ናይ ኣቡነ ኣብሳዲ ክ
ዳን ከኣ ቁርጽራጽ ቆርበት ስለ ዝነበረ እቶም ፈራዶ ናብቶ
ም ሰብ ጽቡቕ ክዳውንቲ ምስ ኣሻረዉ እታ ኣጽሊሎሙላ
ዝነበሩ ዓባይ ዳዕሮ ነቕጸት።
ሽዑ ሓደ ካብቶም ነባሮ ኣቱም ሕዝቢ «ፍትሒ ጐደለ፡ ድ
ኻ ተበደለ» ብምባል ዋላ ክዳ ውንቱ ቦኻል መኻል ይኹን
እምበር እዚ ሰብኣይዚ ሓቀኛ እዩ ዘሎ ፍትሒ ኣይትዓምጽ
ዎ ምስ በሎም ሓቂ ፈረዱ እሞ እቶም ከሓድቲ ልዮናውያ
ን ከኣ ነቲ ዝነበረ መኰንን ብገንዘብን ገጸ በረኽትን ሂቦም
ድሕሪ ሕጂ ምስ ኣቡነ ኣብሳዲ ከምዘይንዛረብ ክብሉ ለመን
ዎ። ብሕፍረትን ብውርደትን ከኣ ናብ በቦትኦም ተመልሱ።እ
ታ ነቒጻ ዝነበረት ኦም(ዳዕሮ) ከኣ ንዕለቱ ለምዐት(ጠጥዐት
) ሸም እታ ዓዲ ከኣ ዓዲ ሠምራ ትብሃል። ከባቢ ደብረ
መርቆሬዎስ(ዓረዛ) እያ ትርከብ።
ኣብ ከባቢ ኣሥመራ ጐዳይፍ ዝተባህለ ቦታ ሞወጽ ናይ ኣበ
ኑ ኤዎስጣቴዎስ ዝነበረት ዓባይ ኣውሊዕ ኮይና ትርከበሉ ቦ
ታ ጉባኤ ተኺሉ ንሓደ ዓመት ዝኣክል መሃረ። ኣብ ሰብዓ
ዝተባህለት ዓዲ ከባቢ ዓረዛ ንሰብዓ ፸(70) ዓመት ዝኣክል
ስለዝጸለየ ሰብዓ ተባሂላ ክሳብ ሕጂ ትጽዋዕ ኣላ።
ሓደ እዋን ማይ ኣብዝተሳእነሉ ግዜ ተማሃራይ ኣብ ሞንጎ ክ
ልተ መንቓዕ እናኹዓተ እንከሎ ጡፍ ዝበሎ (ምራቕ) ጥፍ
ጣፍ ናይ ብሓቂ ዝስተ ማይ ኮይኑ ወጸ ገዳም ድማ ከምድላ
ዮም ማይ ሰተዩ ክሳብ ሕጂ ከኣ ድባብ ዓባይ ተባሂላ ትጽዋ
ዕ ማይ ኣላ። ኣብ ጥቓ ገዳም ደብረማርያም እያ ከኣ እት
ርከብ። ክርእያ ዝደሊ ከይዱ ክርእያ ይኽእል። ንኻልኣይ ግዘ
፡ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንኣቡነ
ኣብሳዲ መጺኡ ናብዛ ጎቦ(ገዳም) ንወገን ሰሜን ዘላ ቦታ
ባሪከልካ እየ እሞ ምስ ደቅኻ ኣብኡ ንበር ኢልዎ ተሠወረ።
ንሳ ድማ ደብረ ማርያም ደብረ ክሳቤ ትብሃል።

## ብዛዕባ ኣየጣዕስ ዝገልጽ ታሪኽ

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ብፁዕ ኣቡነ ኣብሳዲ ናብ ገዳሙ
ክሓልፍ ከሎ ፀሓይ በርቲዕዎ ኣብ ሓንቲ ቤት ኣትዩ ኣጽለለ
። በዚ ግዜ'ዚ እታ በዓልቲ ገዛ ማይ ኣምጺኣ እግሩ ሓጸበቶ
። በዚ ከይተወሰነት ከኣ ናይ ጻድቕ ጸጋን ክብርን ዓቢ ግ
ምት ብምሃብ ካብቲ ሕጻብ እግሩ ማይ ሰተየት። ናብቲ ጻድ
ቕ ቅርብ ኢላ ኣቦይ ውላድ መኻን ስለዝኾንኩ ረቢ ውላድ
ክህበኒ ጸልየለይ በለቶ። ንሱ ከኣ ከም ትምኒትኪ ውላድ እን
ተረኽብክስ ንዓይ'ዶ ትህብኒ ክብል ሓተታ። ንሳ ከኣ ሕራይ
መብጽዓ ይኹነኒ በለት ኣቡነ ኣብሳዲ ሓሳብ ልባ ክሰምረላ
ናብ ኣምላኽ ጸሎት ገበረ። ከምቲ ዝተተምነየቶ ወዲ
ወለደት። ግና ከምቲ መብጽዓኣ ስለዘይፈጸመት እቲ ሕፃን ቀ
ኖብ ናብ ምዕባይ ገጹ ምስ ከደ ኣቡነ ኣብሳዲ ነታ ሰበይቲ
«ስለምንታይ ነዚ ቆልዓ ከምቲ መብጽዓኺ ዘይሃብክኒ፡
ተጣዒስኪ ዲኺ፡ ኢሉ ሓውሲ ወቐሳ ጌሩ ምስ ሓተታ ሽዑኡ
እታ ሰበይቲ ክርስቲያን ስለዘይነበረት ረቢ ኣየጣዕስ ኣይተጣዓ
ስኩን ኢላ ሃበቶ። ኣቡነ ኣብሳዲ ነቲ ቆልዓ በታ ኣዲኡ <u>ረቢ
ኣይተጣዕሰን</u> ኢላ ዝሰመየቶ ኣይተጣዕስ ኢሉ ሰመዮ ኣየጣዕስ
ክርስቲያን ኮይኑ ንኣርባዕተ ማይ ቤት ደቂ ዝፈረየእዩ። እዚ
ክሳብ ሕጂ ዘሎ ጽኑዕን ድልዱልን ፍኹሪ ገዳም ኣቡነ ኣብሳ
ድን ደቂ ኣየተጣዕስን መሠረቱን መበገሲኡን እዚ ሓጺርዝተ
ጠቕሰ ዓቢ ታሪኽ'ዚ እዩ።
ዕረፍቲ ናይ ኣቡነ ኣብሳዲን ናይ ኣየጣዕስን ከኣ ኣብ ጸጽባ
ሕ ኮይኑ ይርከብ። ማለት ኣየጣዕስ ብ፳፱/29 መስከረም፡ ኣ
ቡነ ኣብሳዲ ብ፴/30 መስከረም ዓሪፎም።
ካብዚ ብምብጋስ ውን ሕዝቢ ደቀይተጣዕሰ ብ፳፱/ 29 መስ
ከረም ዓመታዊ በዓል ኣይተጣዕስ ኣብኢሎም፡ ንጽባሒቱ ዕለ

ት 30 መስከረም ድማ ኣብ ናይ ኣቡነ ኣብሳዲ ኣውደ ዓመ ት ይርከቡ።

ኣብ ደብረ ማርያም ዝርከብ ቤተክርስቲያን ካብ ደቀይተጣዕሰ ብዝመጸ ኣእማን ዝተሰርሐ እዩ። ካብ ደቀይጣዕሰ ናብ ደብረ ማርያም ኣስታት ፯ / 7 ሰዓት ብእግሪ ይወስድ።

## ቃለ ምዕዳን ኣቡነ ኣብሳዲ

ኣቡነ ኣብሳዲ ንደቁ ቃል ምዕዳን ሂቡ ብድሕሪኡ ንኣቡነ ዘካርያስ ኣቦ ኣቡነ ቡሩክ ኣምላኽ ሸመሎም ሕጂ ኣቡነ ዘካርያስ ዝተሰከሞ እምኒ ክልተ(2) ሜትሮ ቁመታ ጐድና ካብ 1/2(ፍርቂ) ሜትሮ ንላዕሊ ትኸውን ክብደታ 2(ክልተ) ኩንታል ትኸውን ካብ ርሑቕ ቦታ ንህንፃ ኢሉ ዘምጽኦ ሕጂ ኣብ እንዳ መጋቢ ትርከብ ኣላ። መቓብሩ እውን መጋቢ ስለ ዝነበረ ኣብ ድሕሪ እንዳ መጋቢ ኮይኑ ብሽሙ ቤተክርስቲያን ተሰሪሑሉ ይርከብ።

## ቃል-ኪዳን ኣቡነ ኣብሳዲ

ድሕሪ'ዚ ኩሉ ኣቡነ ኣብሳዲ ካብ ፈጣሪኡ ሙሉእ ቃል ኪዳን ተቐበለ። ካብቲ ቃላት ፍልይ ዝበለ ከኣ *«ንብ ጽላሎታ ዘበጸሓ ኢይሬኢ ደይነ»* ትርጉሙ ኣብ ጽላሎት ናይታ ጎቦ ዝበጽሐ ሰብ ደይኒ (ሲኦል) ኣይኣቱን እዩ። ኣብ ዕለት ሞትካ ፴/ 30 መስከረም ዝነገደ ኢየሩሳሌም ከም ዝነገደ፡ ምእንቲ ሽምካ ጽቡቕ ዝገበረ ምሂረልካ ኣለኹ ዝብል ቃል ክዳን ተቐበለ። ኣቕድም ኣቢሉ ኣብ ግዜ ጸሎቶም ምስ ኣቡነ መርቆሬዎስን ኣቡነ ፊልጶስ ንተምነ ተበሃሃሉ እቲ ትምኒት ከኣ ከምዚ ዝስዕብ ነበረ።

1. ኣቡነ መርቆሬዎስ *«እምተመነይኩ ይትገበር ተኣምር በውስተ መቃብርየ»* በለ። ከምኡ ይኹነልካ ዝብል ድምፂ ከኣ ካብ ኣምላኽ ተሰምዐ።ከምኡ ኮይኑሉ ከኣ ጸበሉ ክሳብ ሎሚ ጸኒዑ ይርከብ ኣሎ።

2. ኣቡነ ኣብሳዲ *«እምተመነይኩ ወእምፈተውኩ ከመ ትኩን ዛቲ ደብርየ መቃብርየ» ለኩሉ ዘተቀብረ በውስቴታ ወዘነገደ ኀቢሃ በዕለተ ምትየ ይኩን ድልወ ለመንግሥተ ሰማያት ወይብዝሁ ደቂቅየ ወእለ ይገብሩ ተዝካርየ»* ወሰምዓ ዘይብል ይኩን በከመትቤ ዝብል ድምጺ ሰምዐ።

3. ኣቡነ ፊልጶስ *«እምተመነይኩ ከመ ይጽናእ ደብርየ»* ወሰምዓ ቃለ ዘይብል «ይኩን በከመ ቃልከ ኣቡነ ኣብሳዲ ዕድሚኡ ፩፻፲/ 110 ዝዓረፈሉ ዕለት ፴ / 30 መስከረም ፲፫፻፸፫/ 1383 ዓ.ም እዩ።

## ኣብቲ ገዳም ዝርከቡ ቅርስታት

1. መቓብር ናይ ክልተ ኣቦታት ኣብሳድን ዘካርያስን።
2. ኣቡነ ዘካርያስ ተሰኪሙ ዘምጽኦ 2 ኮንታል ዝኽውን እምኒ።
3. ለይትን መዓልትን ዘብርሀት ዕንጨይቲ ኣውሊዕ ኣብ እንዳ መጋቢ ኣላ።
4. ናይ ኣቡነ ዘካርያስ መውረዲ ማይ ዝጥቀመላ ዝነበረ።
5. ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ዝወረደትላ ኣብ እንዳ መጋቢ።
6. ብኢድ ሐፀይ ዘርኣያዕቆብ 1 መጽሓፈ ባህርይ 2 መጽሐፍ ርቱዓን ሃይማኖት ኣለዉ።

## ካብ ኣቡነ ኣብሳዲ ዝፈረዩ ዓበይቲ ቅዱሳን ኣቦታት

1. ኣቡነ ዘካርያስ
   ኣቡነ ማርቆስ ዘወጀራት
2. ኣቡነ ብሩክ ኣምላክ
   ኣቡነ ኣሞን ዘሠራዬ
3. ኣቡነ ሙሴ ዘማይጎርዞ
   ኣቡነ ቴዎድሮስ ዘርሒብ ባይታ
4. ኣቡነ እንድርያስ ምድሪ ዓዘቦ
   ኣቡነ ዮሓንስ ዘሩባ ስመጃና
5. ኣቡነ ሲኖዳ ዘዘርጓን
   ኣቡነ ቶማስ ዝባንቡር
6. ኣቡነ ድምያኖስ ቆሓይን
   ኣቡነ ፍጡር ዘዓዲ ንፋስ
7. ኣቡነ ዮናስ ዘገብሉል
8. ኣቡነ ዘካርያስ
   ኣቡነ ማርቆስ ዘወጀራት
9. ኣቡነ ብሩክ ኣምላክ
   ኣቡነ ኣሞን ዘሠራዬ
10. ኣቡነ ሙሴ ዘማይጎርዞ
    ኣቡነ ቴዎድሮስ ዘርሒብ ባይታ
11. ኣቡነ እንድርያስ ምድሪ ዓዘቦ
    ኣቡነ ዮሓንስ ዘሩባ ስመጃና
12. ኣቡነ ሲኖዳ ዘዘርጓን
    ኣቡነ ቶማስ ዝባንቡር
13. ኣቡነ ድምያኖስ ቆሓይን
    ኣቡነ ፍጡር ዘዓዲ ንፋስ

- ሰላም ለክሙ መምህራነ ዕበይ ወተድላ፡
- ዘደብረ ማርያም ኣብሳዲ ወኣሮን ዘገሊላ፡
- ትትኖለዉኒ ሥመሩ መንገለ ወፈርኩ ኩላ፡
- ኢይንኣዉኒ ፀርየ ከመ ይንዑ ገደላ፡
- ኣምሳለ ርጉብ ኣንበሳ ወጽሙዕ ተኵላ።

***ጸሎቱን በረከቱን ምሰ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።***

✠ ✠ ✠

## ጻድቅ ኣባ ጊዮርጊስ ዘጋስጫ

ኣባ ጊዮርጊስ ዘጋስጫ ኣቡኡ ሕዝበ ጽዮን፣ ኣዲኡ እምኃ ጽዮን ዝበሃሉ ኮይኖም ን1358 ዓ.ም ኣብ ቦረና ተወልደ። ወለድኡ ኣመንቲ ክርስትና ስለ ዝነሩ ማለት ኣቡኡ ትግራይ ኣዲኡ ከኣ ዘወለያ እዮም። ጥቅምት ዕለት ፯ / 7 ተፀንሰ፣ ሓምሌ ዕለት ፯,፲፫፰፰ (7, 1358) ዓ.ም.ግ ተወልደ። ናይ ጋስጫ ኣባ ጊዮርጊስ ዝተባህለ ዓቢ ገዳም ብስሙ ዝተገደመ ኣለዎ። ኣብ ከባቢኡ ከኣ ፯ (7) ዋሻታት ኣለዉ። በዓል ኣባ ጽጌ ድንግል ዝተሠወረሉ ቦታን ናይ ኣግዜር ድንግል ዝተባህለ ናይ ፮ (6) ሰዓት መንገዲ ዝኸውን ናይ ተፈጥሮ ድንግል እዩ።

ኣባ ጊዮርጊስ ዘጋስጫ ደራሲ፣ ፈላስፋ ክኸውን እንከሎ ብፍላይ ኣብ ሰዓታት ስለ ሰማይ፣ ስለ መብረቕ፣ ስለ ዝናም፣ ስለ ኣፈጣጥራ፣ ስለ እተን ፯ (7) ሰማያትን ጽቡቕ ጌሩ ኣቕሪቡዎ ኣሎ። ኣብዚ ቦታ'ዚ በዓል ኣባ ፅጌ ድንግል እኒ ኣባ ያዕቆብ ገዳም ይርከብ። ኣባ ጊዮርጊስ ዘጋስጫ ንቅድስት ድንግል ማርያም ብጣዕሚ የፍቅራ ነበረ። ክኸይድ ከሎ ይኹን፣ ኮፍ ክብል ከሎ፣ ክድቅስ፣ ክትንሥእ ከይጸውዓ ኣይሓልፍን፣ ብድርሰቱ ፍሉጥ ኣቦ እዩ። (12000) ዓሥርተው ክልተ ሽሕ ዝኾኑ ድርሰታት ደረሰ ስለ ጾም፣ ስለ በዓላት፣ መልእኽቱ ናብ ንጉሥ ኣብ ኢዱ ሃቦ።

ንፋስ ዝእዘዞ ዓቢይ እዩ። ካልእ ዓብይን ኣደናቕን ዝኾነ ታሪኽ ኣለዎ። ኣብ ዓመት ኣብ ዓመት ዓርቢ ስቕለት ፷ (60) እመት ወይ ከኣ ፴ (30) ሜትሮ ዝኸውን ገበል ካብ ቤተመቕደስ ወጺኡ ምስቶም ግብረ ሕማማት ዘንብቡ ኣብ እግሪ ኣትራኖስ ኮይኑ ተጠምጢሙ ርእሱ ኣቕንዕ ኣቢሉ ክሰግድ ውዒሉ እቲ ካህን ብሰላም እተዉ ምስ በለ ናይ ምሸት ናብታ ቤተመቕደስ ይኣቱ።

ኣብ ገዳሙ ገበል ከም ባሕታዊ ኮይኑ ዝሰግድን ዝጽልን ዘለዎ እዩ። ኣባ ጊዮርጊስ ዘጋስጫ ካብ ዝደረሶም 12 ሺሕ ውሽጢ ሎሚ ቤተክርስቲያንና እትጥቕመሎም ዘላ ፭ / 5 ዝኾኑ ዓይነታት ጥራይ ኣለዉ። ገለ ካብ ዝደረሶም ከኣ፦

1. ቅዳሴ
2. ሰዓታት
3. ኣርጋኖን
4. ናይ ሕማማት ሰላምታ
5. ስብሐተ ፍቁር
6. መጽሐፈ ምሥጢር

ኣባ ጊዮርጊስ ዕረፍቱ ኣብታ ዝተወልደላ ሓምሌ ዕለት ፯ (7) ኣብ መበል ፷ (60) ዕድሚኡ ዓረፈ። ጋስጫ ናይ ቀደም ስሙ "ደብረ ባሕርይ" ትብሃል ነበረት። መቓብሩ ኣብኣ ይርከብ።

***ጸሎቱን በረኽቱን ምሰ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።***

ምንጭ፦ - ታሪኽ ቅዱሳን ገጽ 90
- ስንክሳር ሓምሌ ዕለት ፯ (7)

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ጻድቅ ኣባ ጽጌ ብርሃን

ኣባ ጽጌ ብርሃን ማኅሌተ ጽጌ ዝደረሰ ዓቢ መምህር እዩ። ሃገረ ትውልዱ ወሎ ቦረና ወለቃ ኮይኑ መጋቢት ዕለት ፳፯ ተወልደ። እዚ ጻድቕ'ዚ ብጣዕሚ ፍሉጥ ደራሲ ስለዝነበረ ኣደናቒ ዝኾነ ድርሰት ማኅለተ ፅጌ ስለ ስደት ቅድስት ድንግል ማርያም ዝምለከት ብዕንባባን ብኃዘንን እናሰማምዐ፣ ከምኡ ውን ዘጋጠማ ጽምኢ ማይን ጥሜትን ካብ ገጽ ሄሮድስ ምህዳምን ማለት ብጠቕላላ ስለቲ ንሠለስተ ዓመትን መንፈቕን ምስ ዮሴፍን ሰሎሜን ዘጋጠማ ሸግራት ብምትሕሓዝ ንሱ እዩ ደራሲኡ።

ክደርስ እንከሎ ጥረ ነገር ከም ቆሎ እንተዘይኮይኑ እንጀራ ከይበልዐ፣ ማይ ኣብ ሠለስተ መዓልቲ ብዓቕን፣ እናሰተየ እዩ። ከምኡ'ውን ኣደናቒ ዝኾነ ታሪኽ ንሸሞንተ ዓመታት ዝኣኽል ምስ ሰብ ከይተራኸበ ሱባኤ ዝኣተወ ጻድቕ እዩ። ገዳም ናይዚ ጻድቕ እዚ ወይ ዓዲ ኣብ ከባቢ ጋስጫ ይርከብ። ቀደም ግዜ ዘወትር እቲ ቤተ ክርስቲያን ብሠለስተ መኽሳት ይዕጠን ከም ዝነበረ ታሪኹ ይሕብር።

***ጸሎቱን በረኽቱን ኣይፈለየና!!!***

## ሓጺር ታሪኽ ጻድቕ ቅዱስ ኣቡነ ሠረቀ ብርሃን ዘደ

## ብረ ጽጌ ወደብረ መድኃኒት ዞባ ደቡብ (ዓዲ ሓንስ መራጉዝ)

ኣቡነ ሠረቀ ብርሃን ካብቶም ጎሩያነ እግዚኣብሔር ቅዱሳን ኮ ይኖም ከምቲ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ወንጌለ ማቴዎስ *ምዕራፍ 5፡10* ዝብሎ «ምእንቲ ጽድቂ ዝ ስደዱ መንግሥተ ሰማያት ናቶም እያ'ሞ ብፁኣን» እዮም። እዚ ኣቦ'ዚ ፈቓዱ ዝፈጸመ ብርሃን እዛ ዓለም ኮይኑ ዝሓለፈ ን ቤተ ክርስቲያን ወትሩ እትዝክሮን ኣቦ እዩ።

ናብዚ ገድልን ተኣምራትን ዝፈጸመሉ ከባቢ ዝመጸሉ ከኣ ብ ወገን ምብራቕ መራጉዝ ኣቢሉ እዩ። ገለ ካብ ዝነበሮን ዝተ ቐመጠን ቦታታትን ዝፈጸሞ ተኣምራትን ንምዋቃስ ዝኣክል «ኩዶ ፈላሲ» ተኽላ። ኣብዛ ዝተባህለት ዓዲ ኮይኑ ክጽሊ ከሎ መልኣኽ እግዚኣብሔር መጺኡ ሥርዓተ ቍርባን ኣዕር ግ ከምዝበለሎ ይፍለጥ።

እዚ ኣቦ'ዚ ብመሠረት ደረጃ ብቐዓቱ ኣብ ጕዕዞኡ ከም ኣበ ኑ ገብረመንፈስቅዱስን ኣቡነ ሳሙኤልን ኣንበሳ ተወጢሑ እ ዩ ዝኸይድ ዝነበረ። ሓደ እዋን ኣንበሳ ተወጢሑ እናኸደ እ ንከሎ ኣብ መንገዲ ገለ ኣዴታት ተራኸባኣ እሞ ንስኺ ከኣ «ካብ ገጽ ኣንስቲ ገጽ ኣናብስቲ» ብምባል፡ ጸሎቱ ኣሥ ሚሩ ምስ ፈፀመ ናብ ዓዲ ነገር እትብሃል ዓዲ ከደ።

ኣብዛ ዓዲ እዚኣ እቶም ናይታ ዓዲ መንእሰያት እቲ ዝገብ ርዎ ዝነበሩ ነገራት ደስ ስለ ዘየበሎም «እዛ ቦታ እዚኣስ ዓዲ ነገር እያ» ብዝበሎ ክሳብ ሕጂ በዚ ኸም እዚ ትስመ ኣላ። ከምኡውን ኣብዛ ዓዲ እዚኣ ብምራቕ ዝወጸት ማይ ክ ሳብ ሕጂ ትረአ ኣላ። «ማይ ፈላሲ» እናተባህለት ከኣ ትጽ ዋዕ ኣላ። እዛ ዓዲ እዚኣ ዓዲ ነገር ብምኽና ስለ ዘይፈተዋ ብመኽረም ኣቢሉ ንድርኮ፡ ናብ ዓዲ ኹሉ፡ ናብ ዓዲ ጎብ ሩ፡ ብእግሪ ኣርግዛና ኣቢሉ ከኣ ናብ ማይ ድያ ወረደ።

ኣብዛ ቦታ እዚኣ ምስበጽሐ እቶም ኣርድእቱ ብጽምኢ «ማ ይ ማይ» ኢሎም ምስ ተሸገሩ፡ ቅዱስ ኣቡነ ሠረቀ ብርሃን ከምቲ ኣምላኽ ዝፈትዎን ርኁሩህውን ስለ ዝኾነ ንኣምላኹ ብ ምልማን ባሪኹ በታ ኣብ ኢዱ ዝነበረት ዘጋል መስቀል ናብ መሬት ወግኣ እሞ ቀዳማይ ጸባ ካልኣይ ድማ ጽሩይ ማይ ኣውጽኣ። እቶም ኣርድእቲ ከኣ ሰተዩ። ኣብዚ ግዜ እዚ እቶ ም ኣርድእቲ ኣዝዮም ጸሚኦም ስለዝነበሩ ብህርፋን «ኣታ ማይ ድያ»፡ ክብሉ ብዝተዘራረቡሉ መሠረት ሕጂ እታ ዓዲ ብስም እዛ ቃል እዚኣ «ማዕድያ» እናተባህለት ትጽዋዕ ኣላ ።

ቀጺሉ ምስ ኣርድእቱ ናብ በረኻ እምባኽታ ዝባሃል ዘሎ ወ ረደ። ኣብኡ ከኣ ሱሳን ሸዱሸተ(66) ዓመት ተቐመጠ። ሕጂ ምጽላይ እናተባህለ ይጽዋዕ ኣሎ። እዚ ቦታ እዚ ሕማ ም ዓሶ ብብዝሒ ስለዝነበሮ ኣቡነ ሠረቀ ብርሃን ኮሉ ግዜ ኣብኡ ክቐመጥ ከሎ እቶም ኣርድእቱ ግን ናብቲ ብርኽ ዝበለ ሕጂ «ዓዲ ፈላሲ» ዝባሃል ዘሎ ወጺኦም ይኸርሙ ነ በሩ።

## ኣስማት ኣርድእቲ ኣቡነ ሠረቀ ብርሃን ከኣ ከምዚ ዝስዕ-ብ እዩ፡–

1. ኣቡነ ኣሮን ገሊላ ትግራይ
2. ኣቡነ ጽጌ
3. ኣቡነ ኣምሓ
4. ኣቡነ እስትንፋሰ ክርስቶስ ይባሃሉ ነበሩ። እዚኣቶም ኩሎ ም መምሃራንን ዝበቐዑ ኣቦታትን እዮም ኔሮም። ድሕሪኡ

ኣቡነ ሠረቀ ብርሃን ንኢየሩሳሌም ክበጽሕ ሓሰበ እሞ ንደቂ ከምዚ ኢሉ ተላበዎም። ኣነ ክሳብ ዝመጽእ ብኣሮን ወደይ እናተመራሕኩም ጽንሑ በሎም። እንተኾነ ኣቡነ ሠረቀ ብ ርሃን ብደመና ተጻዒኑ ኢየሩሳሌም እትው ክብል ከሎ ኣቡነ ኣሮን እውን ብደመና ተጻዒኑ ኢየሩሳሌም ኣርከቦ። ኣቡነ ሠ ረቀ ብርሃን ጸሎት ክብጽሕ እንከሎ ኣቡነ ኣሮን ከኣ ቅዳሴ ወዲኡ ብዝሰምዐ። እዚ ድኣ ኣሮን ወደይ እንድ'ዩ በለ። ካብ ኡ ቀዲሱ ናብ ቦትኡ ንመራጉዝ መጸ። ኣቡነ ሠረቀ ብ ርሃን ከም ቀደሙ ደመና ተጻዒኑ ናብታ ጥንታዊት ምጽላዩ እንተመጸ ኣቡነ ኣሮን ከኣ ቀዲምዎ ኣብ ምጽላይ ጸንሐ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣሮን ወደይ ካባይ ንስኻ ትዓቢ እሞ ረድኣይዘ ይኮንካስ ነፍስኻ ዝኽኣልካ ኣቦ ኢኻ እሞ ካባይ ግለለይ በለ ሎ። በዚ ምኽንያት እታ ናይ ኣቡነ ኣሮን ገዳም «ገሊላ» እ ናተባህለት ክሳብ ሕጂ ትጽዋዕ ኣላ። እዛ ገሊላ እትብሃል ኣ-በ ኢትዮጵያ ብፍላይ ከኣ ኣብ ትግራይ ትርከብ።ኣቡነ ሠረቀ

ብርሃን ዕድሚኡ ኣኺሉ እግዚኣብሔር ሞትካ ቀሪቡ እዩ ምስ በሎ፡ ካብቶም ደቂ ነታ መቓብሩ ርእዩ ኣመልኪቶም ዝምለሱ ክልተ ለኣኽ። ንሳቶም ድማ ስሒቶማ ማለት ንየማን ገዲፎማ ብማይ ድያ ጊሮም ንጥርቀ ኣተዉ። ቀጺሎምውን ክኾዱ ከለዉ ሓዳስ ዝሞተት ሓርማዝ ኣጋጠመቶም ሽዑ « ዋይ ገምቢ ሓርማዝ» ኢሎም ብዝተዛራረቡሉ መሠረት ክሳብ ሎሚ እዚ ቦታዝ «ገምቢ ሓርማዝ» እናተባህለ ይጽዋዕ ኣሎ። እቶም ኣርድእቲ ነታ ዝሓበሮም መቓብር ስኢናማ ናብ መምህሮም ተመልሱ። ንመምህሮም ኣቡነ ሠረቀ ብርሃን ከኣ ኣቦና ስኢናያ በልዎ። ሽዑ ኣቡነ ሠረቀ ብርሃን ኵሉ ዝርእን ዝፈልጥን ብምኻኑ ዓቢ ምልክት ሃቦም። ንሱ ድማ ከምዚ ዝስዕብ ነበረ። ኣብታ ዝቐበረላ ቦታ ኣንበሳ ደቂሱ ክጸንሓኩም እዩ። እታ ደገ ሰላም ትኸውን ከኣ ጤለ-በዱ ክትጸንሓኩም እያ። ኣብታ ቤተልሔም እትኸውን እውን ነብሪ ክጸንሓኩም እዩ ኢሉ ምሉእ ሓበፊታ ሂቡ ንኻልኣይ ግዜ ለኣኾም ልክዕ ከምታ ዝሓበሮም ኣንበሳ፡ ነብሪ፡ጤለ በዱ ጸንሕዎም። እዛ ቦታ እዚኣ ከኣ መቓብር ናይ ኣቡነ ሠረቀብርሃን ኮነት። ምስ ኣቡነ ሠረቀ ብርሃን ከኣ 44ቅዱሳን ተቐብሩ። ሕጂ ብኣካል ከይዱ ክርኢ ንዝደሊ እዛ ገዳም እዚኣ ደብረ ጽጌ ወደብረ መድኃኒት እናተባህለት ትጽዋዕ ዘላ ካብታ ናይ መኪና መሥመር ኩዱ ብዑር ንሽንኽ ሰሜን ብእግሪ ናይ ሓደ ሰዓት ዝኸውን ምስ ተጐዓዝካ እያ እትርከብ። እዛ ገዳም እዚኣ ካብተን ብዕድመ ይኹን ብቅድስና ዓበይቲ ዝኾና ገዳማተ ኤርትራ ሓንቲ እያ። ክሳብ ሕጂ እውን እቲ ኣቡነ ሠረቀ ብርሃን ዘገልግለሉ ዝነበረ መስቀል፡ ፃህለ ወርቅ፡ ጽዋዓ ወርቅ፡ ዝተገንዘሉ ናይ ቆርበት ማእሲ፡ ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያኑ ይርከብ ኣሎ። ከምኡ እውን ካብቲ መቓብሩ ወይ ካብቲ ኣስከሬኑ ዘለዎ ቦታ ከም ቅብዓ ሜሮን ዝመስል ፈሳሲ ንሕሙማት ዝፍውስ ንዕውራት ዘብርህ ኣጋንንቲ ዘውጽእ ኣሎ።

***ናይ ኣቡነ ሠረቀ ብርሃን በረኽትን ረድኤትን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።***

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ጻድቕ ቅዱስ ኣቡነ ቡሩክ ኣምላክ ዘደብረ ኮል መራጕዝ ዞባ ደቡብ ኤርትራ

እዚ ቅዱስ ኣቦዚ ንገዳም ደብረኮል ሙራደ ቃል ዝገደመ ኮይኑ ስም ኣቡኡ ቴዮቅሪጦስ ናይ ሮምያ ንጉሥ ግሪካዊ ስም ኣዲኡ ከኣ ሚሊዳማ ይብሃሉ።

እዞም ክልተ ሰብ ቃል ኪዳን ልክዕ ከም ናይ ኣቦና ኣብርሃም ሳራን መፍቀርቲ ኣምላኽ ነበሩ። እንተኾነ ግን ውሉድ ብምስኣኖም ኣዝዮም ይሓዝኑን ይጽልዩን ነበሩ። ርኅሩኅ ዝኾነ ጐይታ ጸሎቶም ሰሚዑ ንቅዱስ ሚካኤል ንቅድስት ሚሊዳማ ውሉድ ከምትረክብ ከበሥራ ለኣኾ። ቅድስቲ ሚሊዳማ ኣዝያ ኣሪጋ ስለዝነበረት ነቲ መልኣኽ እዝስ ከመይ ኢሉ ክኽውን ይኽእል በለቶ። ምኽንያቱ ልማድ ኣንስቲ ካብ ዝሓድገኒ ነዊሕ ስለዝኾነ ንሱ ንእግዚኣብሔር እሞ እንታይ ይሰኣኖ ኮይኑ ምስበላ ግን ሕራይ ይኹነኒ በለት።

ነሐሴ ዕለት ፯ (7) ቅዱስ ኣቡነ ቡሩክ ኣምላክ ተፀንሰ ግንቦት ዕለት ፩ (1) ምስ ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ልደት ከኣ ተወልደ። ምስ ተወልደ ኣብ መበል ሓሙሻይ መዓልቱ «ምስጋና ንኣብ፡ ምስጋና ንወልድ፡ ምስጋና ንመንፈስ ቅዱስ፡ ከምኡ እውን ምስጋና ንቅድስት ድንግል ማርያም ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ዘውጻእካኒ» ኢሉ ኣመስገነ። ፵ (40) መዓልቲ ምስ ገበረ ከኣ ኣብ እንዳ ቅዱስ ጴጥሮስ ሊቀ ሓዋርያት ቤተክርስቲያን ተጠመቐ።

ዘጠመቐ ጳጳስ ኣቡነ ቄርሎስ ይበሃል። ሥርዓተ ጥምቀት ክድገመሉ እንከሎ ካብ መጀመርታ ክሳብመወዳእታ ኣሜን እና በለ ተቐበሎ። «ዓምደ ሚካኤል» ዝብል ስም ከኣ ተዋህቦ።

ቅዱስ ኣቡነ ቡሩክ ድሕሪ ጥምቀቱ ዓርበ-ረቡዕ ጡብ ኣዲኡ ኣይጠቡን ነበረ። ፬ (4) ዓመት ምስ ገበረ ወለዱ ነገሥታት ስለዝነበሩ ኣብ ገዝኣም ሓደ መምህር ንወዶም ክምህረሎም ኣብ ቤቶም ቆጸሩሉ። ወዲ ፯(7) ዓመት ምስ ኾነ ዘሎ ናይ ቤተክርስቲያን መጻሕፍቲ ማለት ፹፩ (81) ብምሉኡ ኣጠናቒቑ ተማህረ። ናይ ቅድስት ሚሊዳማ ማሕፀን ድማ ልክዕ ከምቲ ናይ ሓና ሰይቲ ህልቃና ኣደ ሳሙኤል ተኽ

ፍተ እሞ ብድሕሪ አቡነ ቡሩክ አምላክ ሠለስተ ደቂ ወለደት ። ንሳቶም ከኣ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡–

1. ቅድስቲ ጸበለ ማርያም
2. ኣባ ዕዝራ
3. ኣባ ገብረ ሥላሴ ይብሃሉ

ድሕሪ 7 ዓመቱ ሓንቲ ጓል ክቡራት ካብ ወገን ነገሥታት ዝኾነት ጓል ኣሕጸይዎ። እንተኾነ ግን ፍቓዱ ስለ ዘይኮነ ካ በዚ ነገር'ዚ ኣምላኽ ከውጽኣንስ ብጸሎት ሐግዘኒ ብምባል ን መመህሩ ነገሮ (ለመኖ)። ንሱ'ውን ብትግሃት ይጽሊ ነበረ ። ሽዑ ቅዱስ ሚካኤል ሊቀ መላእክት ካብ ኣምላኽ ተ ኣዚዙ መጺኡ ካብዚ ሃገር'ዚ ተንሲእካ ናብ ሃገረ ኤርትራ ናብ ኣባ ኣብሳድን፣ ኣባ ኤዎስጣቴዎስን ንዓናይ ኣብኡ ናይ ብዙሓት ኣቦ ክትከውን ኢኻ። ብእኻ ዝድሕና ነፍሳት ከኣ ቁጽሪ የብለንን ብምባል ናብ ደብረ ማርያም ኤርትራ መጸ። ማለት ክመጽእ ከሎ ፍርቂ ለይቲ ዋላ ሓደ ሰብ ከይ ረኣዮ ካብቲ ኩሉ ክብሪ መንግሥቲ ዋላ ሓንቲ ንብረት ከየል ዓለ ከደ። ሽዑ ንኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ኣመንኵሶ እንተበሎ ኪ ድ ድኣ ከምቲ ቅዱስ ሚካኤል ዝኣዘዘካ ናብ ኣብሳዲ ወደይ በኢዱ ኢኻ እምበር ብኢደይ ኣይኮነን ትምንኩስ በሎ። ብሓ ባር ከኣ ሰብዓ ናብ እትብሃል ከባቢ ዓረዛ ቆላ ሰራየ ከደ። ወዲ ፲፪ (12) ዓመት ምስ ኮነ ካብ ኣቡነ ኣብሳዲ ኣልባሰ ምንኵስና ተቐበለ ***«ቡሩክ ኣምላክ»*** ዝብል ስም ምንኵስና ተዋህቦ።

ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ከኣ ኣቡነ ኣብሳዲ «ዘደብረ ክሳሄ» ንኣቡ ነ ቡሩክ ኣምላክ ክህነት ክትቅበል ንዓ ናብ ጳጳስ ንኺድ እ ንተበሎ ኣቡነ ብሩክ አምላክ ከኣ ኣነስ ሓላው ከብቲ፣ ወራድ ማይ፣ ሰባር ዕንጨይቲ፣ ሃራጻይ ድኣ እምበር ነዚ ማዓርግ እ ዚ ዝበቕዕ ኣይኮንኩን ብምባል ካብ ገጽ ኣቡኡ ኣቡነ ኣብሳዳ ተኸዊሉ (ተሓቢኡ) ናብ ሓደ በረኻ ጫካ ከደ። እሞ እ ቶም ዝራድእዎ ዝነበሩ ኣናብስትን ኣናብርትን ዝብእን ዝተፈ ላለዩ ኣራዊታት ድቃስ ከልእዎ። ድቃስ ምስ ከልእዎ ትእዛዝ ኣቡኡ ብዘይ ምኽባር ከምዝኾነ ተረድኡ'ሞ ናብኡ ተመሊሱ ይቕሬታ ሓተቶ። ንሱ'ውን ይቕረ ይኹንካ ዝወደይ ክብል መለሰሉ።

ሽዑ ብዘመነ «ሃጸይ ዳዊት» ንጉሥ ኢትዮጵያ ናብ ሸዋ ከ ይዱ መዓርገ ክህነት ተቐበለ። ሓደ ግዜ ብብርቱዕ ጸሎትን ስግደትን ጾምን እናኣገልገለ ከሎ ብርቱዕ ሕማም ሒዝዎ ነበ ረ። ካብዚ ሕማም'ዚ ንኽፍውሶ ጐይታናን ኣምላኽናን መድ ኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣእላፋት መላእኽቲ ኣኽቲሉ «ኣክለ ፈላተ ብርሃን» ሒዙ ናብኡ መጸ። ንሱ እዚ ኣኽሊል'ዚ ድ ኣ ንመን እዩ፡ እንተበሎ ንዓኻ ዝብል መልሲ ሰምዐ'ሞ ከ ም ጣዕዋ ምራኽ ካብ ዝነበሮ ሕማም ተበራቢሩ ፍንጭራዕ በ ለ። ድሕሪ ነዊሕ ግዜ እቶም ብድሕሪኡ ዝተወልዱ ፫ (3) ኣሕዋቱ ከኣ ካብ ሃገር ሮማ ናብ ኣቡነ ቡሩክ አምላክ ና በ ደብረክሳሄ መጹ። ሰብ ገይሮም ኣጸውዕዎ'ሞ «ኣቡነ ቡሩ ክ ኣምላክ» ከኣ ኣቦይ እዩ ኣሲርኩም ኣምጽእዎ ኢሉ ልኢ ኹዎም ብምባል ኣዝዩ ፈርሀ። እንተኾነ ግን «ኣቦይን ኣደይ ን በበይኖም ጸሎቶም» ከም ዝብሃል ናታቶም ሕሳብን ናይ ኣቡነ ቡሩክ አምላክ ሕሳብን ካብ ሰማይን ምድርን ዝተራሓ ሐቐ እዩ ኔሩ። ካብ ሮማ ናብ ኤርትራ ንኽመጹ ፲ (10) ወርሕን ፰ (8) መዓልትን ወሰደሎም። ንሱ ከኣ ብናይ ሓንቲ ፃዕዳ ርግቢት መሪሕነት መንገዲ ከይተጋገዩ ዋላ ን ሓደ ሰብ ከይሓተቱ እዮም መጺኦም።

ምኽንያቱ እቲ ሓሳብ ልቦም ከኣ ከም ሓውና ክንምንኩስ ዝ በል ስለ ዝነበረ እዩ። ኣይተረፈን'ውን ትምእርተ መላእክት ኣሰኬማ ተቐበሉ።

ንኣቡነ ብሩክ አምላኽ ሓደ በዓል ዓዲ ሓውያ ሃብተ እግዚእ ዝተባህለ ፈታዊ ነበሮ። ካብ ደብረ ማርያም እናመጸ ኣብ ቤቱ የዕርፍ ነበረ። ኣቶ ሃብተ እግዚእ እንተኾነ ውን ናብ ኣቡነ ብሩክ አምላክ እናመጸ ብጸሎቱ ይባረኽ ነበረ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣቡነ ብሩክ አምላክ ካብ ደብረ ክሳሄ ናብታ ዝጽልየላ ደብረ ኮል (ሙራደ ቃል) መጺኡ ንኣቶ ሃብተ እግዚእ ናብታ ዝጽልየላ ቦታ «ደብረ ኮል ምስ ኣሕዋተይ ከይደ ኣሎኹ'ሞ እንተሞትኩ ክትቀብረኒ ኢኻ በሎ። ንሱ ሕራይ ምቕባርሲ ምቕበርኩኻ መን እሞ ክነግረኒ እዩ በሎ። ኣቡነ ብሩክ አምላክ ናብ ማሕረስ ምስ ወፈርካ ሓደ ዓቢ ምልክት (ትእምርቲ) ክትረ ክብ ኢኻ። ሽዑ መጺእኻ ቅበረኒ በሎ።

ኣብዚ ዘመን'ዚ ሃጸይ ዳዊት ንጉሥ ኢትዮጵያ ኣብ ዝነበረሉ ከሓድቲ ዝኾኑ ሽፋቱ ናብ «ደብረኮል» ኣቡነ ቡሩክ ኣምላክ ናብ ዘለዎ መጹ። ኣቡነ ቡሩክ ኣምላክ ግዜ ሞቱ ስለ ዝፈለጠ ጸሎት ይጽሊ ነበረ። ነቶም ሓራዶ መጺኦም ብመን ፈስ ምስ ረኣዮም ልክዕ ከም ናይ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ካብቲ ዝነበሮ መጸለዩ ኣብ ዝርእይዎን ዝጥዕሞምን ተቐሪቡ ጸንሑም። እቶም ኣሕዋቱ እንተኾነ'ውን ኣኽሊል ሕይወት ይርኣዮም ስለ ዝነበረ ኣነ እየ ዝቅድም፥ ኣነባ ኣነባ ብምባል ብኽምዚ ዕለት ፲፬ (14) ነሓሰ ብሰማዕትነት ዓረፉ። ንኣቡነ ቡሩክ ኣምላክ ብኵናት ጐኑ ወግእዎ'ሞ ንጹሕ ማይ ወጸ እቲ ማይ'ቲ ከኣ ክሳብ ሎሚ ማለት ክሳብ እዛ ዕለት እዚኣ ሕሙማት እናፈወሰ ኣጋንንቲ እናኣውጽአ፥ ለምጻማት እናኣንጽሀ ዝተፈላለዩ ተኣምራት እናገበረ ይርከብ ኣሎ። ቦታ ኣብ ውሽጢ ሙራደ ቃል «ደብረኮል» ይርከብ።

ብክረምቲ ኣይውስኽ፥ ብሓጋይ እንተኾነ'ውን ፍጹም ኣይንክን'ዩ። ክሳብ ምጽኣት ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ከም ዝጸንሕ ከኣ መጽሓፍ ገድሉ ይሕብር። ዕድመ ኣቡነ ብሩክ ኣምላክ ከኣ 120 እዩ። ዝሞተሉ ዕለት ፲፬ (14) ነሓሴ ምስ ኣቡነ ኣረጋዊ ማለት'ዩ። ከምኡ'ውን እታ ቅድስቲ ጸበለማርያም ዝተባህለት ሓፍቱ በቶምሽፋቱ ክልተ ኣጥባታን ክሳዳን ተቐርጸት። ካብ ክሳዳን ኣጥባታን ከኣ ደምን፥ ጻዕዳ ጸባን ወጸ። ንሱ'ውን ማይ ሕይወት እናተባህለ ዝጽዕ ኮይኑ ክሳብ ሕጂ ከይዱ ንዝረኣዮ ኣብቲ ውሽጢ ገዳም ኣሎ። ኣብዛ ዕለት 14 ነሓሴ ኣባ ዕዝራ ሓዉ፥ ኣባ ይሄይስነ እግዚእ ረድኡ፥ ኣባ ገብረሥላሴ ካልኣይ ሽሙ ገሪማ፥ ኣባ ስምዖን፥ ኣባ ያዕቆብ፥ ኣባ ማርቆስ፥ ኣባታዴዎስ፥ ኣባ በርናባስ፥ ኣባ ጽድቀሕሬ፥ ኣባ ዜና ገብርኤል፥ኣባ ክርስቶስ ሕሬ ዝተባህሉ ኣርድእት መነኮሳት ከም ሽጉርቲ ብኣዶ ክሓድቲ ሸፋቱ ተሓሪዶም ሞቱ። ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ቅድም ተነጊሩ ዝነበረ በዓል ዓዲ ሓውያ ሰብኣይ ኣብ ግዜ ማሕረሱ እቲ ዝተነግሮ ተኣምር ረኣየ'ሞ ብጉያ እንተ መጸ ኩሎም ወዲቖም ጸባን ጽሩይ ማይን ጃሕጃሕ ክብል ጸንሐ ብብዙሕ ብኽያትን፥ ንብዓትን ብኽብሪ ቀበሮም።

ካብ መቓብር ኣቡነ ብሩክ ኣምላክ ጸባ ይፍልፍል ከም ዝነበረ ይንገር። ሃብተ እግዚእ ካብቲ ዝፍልፍል ዝነበረ ጸባ ካብ ስርሑ እናመጸ ከም መግቢ ኮይና ተገልግሎ ነበረት'ሞ ናብ ገዝኡ ናብ ሰበይቱ ኣትዩ መግቢ ኣይበልዕን ነበረ። ሽዑ እታ ሰበይቱ ንምንታይ እዩ ነዚ እንጀራይ ዝኣብዮ ዘሎ ኢላ ሓደ መዓልቲ ንሱ ከይረኣያ ደድሕሪኡ ከይዳ ድንን ኢሉ ክሰቲ ከሎ ረኣየቶ'ሞ እቲ ጸባ ዝነበረ ናብ ማይ ተለወጠ። ክሳብ ሕጂ ማይ ሕይወት እናተባህለት ትጽዋዕ ኣላ።

## ቃል-ኪዳን

ኣቡነ ቡሩክ ኣምላክ ብሕይወቱ ከሎ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ፃዕዳ ፈረስ ሃቦ ማለት ንዓኻ ዝክርካ ንዝገበሩ፥ ስምካ ዝጸውዑን መጽሓፍ ገድልኻ ዝጸሓፉን፥ ዘጽሓፉን ምእንቲ ስምካ ንጥሙይ ዘብልዕ፥ ጽሙእ ዘስቲ፥ ንዕሩቕ ዝኸድን፥ ዕጣን፥ ሽምዓ፥ ጥዋፍ፥ ሥርናይ ወይኒ ዝህብ፥ ኣብ ቤተክርስቲያንካ ብትግሃት ዘገልግል፥ ዝሳለም፥ ማይ ጸሎትካ ብእምነት ዝሕጸብ በዚ ፃዕዳ ፈረስ ካብቲ ናይ ሓዊ ባሕሪ ከሳግሮ ቃል እኣትወልካ ኣሎኹ ዝብል ምሉእ ቃል ኪዳን ሃቦ። ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኵልና ኣመንቲ ኣማላድነቱ ይኹን ኣሜን።

## ናይ ኣቡነ ቡሩክ ኣምላክ ጽሚቕ ታሪኽ

- ዕድሚኡ ፭፻፳፭ (125) እዩ ካብታ ካልኣይቲ ገድሉ ብ1290 ዓ.ም. ተወሊዱ
- ብ፲፪፻፯ ዓ.ም.ግ. ተወሊዱ ምስ ተወለደ ድሕሪ ፯ ዓመቱ ናብ ኤርትራ ደብረ ክሳሄ መጸ
- ኣብ ዘመን ንጉሥ ዓምደጽዮን ሊቀ ካህናት ከኣ ናብ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ መጸ።
- ምስ ወለዱ ምስ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ፯ ዓመት ገበረ።
- ምስ ኣቡነ ኣብሳዲ ፫ ዓመት ገበረ።
- ብዲቁና እናኣገልገለ ፭ ዓመት ገበረ።
- ኣብ ደብረ ማርያም ከኣ ቀሺ ገበዝ ኮይኑ ን፴ ዓመት ተቐመጠ (ኣገልገለ)።
- ዕለት ፯ ነሐሴ ተጸንሰ።
- ወኮነ ኩሉ መዋዕሊሁ ለኣቡነ ቡሩክ ኣምላክ ፲ወ ፭ወ፭ ዓመት ዝሞተሉ ዓ.ም. ፲፪፻፲፯ ዓ.ም

- ንኣቡነ ቡሩክ ዘጥመቐ ጳጳስ ኣባ ጌርሎስ ናይ ቀ-ስጥንጥንያ ጳጳስ እዩ።
- ብ 1313 ዘመነ ማቴዎስ ኣብ ደብረ ማርያም ብኢድ አቡነ አብሳዲ መንኮሰ
- ወዲ 22 ክህነት ብኢድ አቡነ ሚካኤል ኣብ ኤርትራ (ኢትዮጵያ) ተቐበለ።

## <u>አብ ሕምብርቲ ዞባ ማዕከል ንኡስ ዞባ ጋላ ነፍሒ ዝርከብ ገድለ አቡነ ቡሩክ አምላክ ደብረኮል ዘይትነበብ በወርኃ ሚያዝያ ካብቲ ካልኣይ ገድሊ</u>

*ውህበት ዘወሃቦ አቡሁ አብሃዲ ለአቡነ ቡሩክ አምላክ እምዕፀ ኤሌዎን ገባሪተ ተኣምር ወእንዘ ሀሎ በሃማሴን ሃገረ ሕምብርት እንዘ ይሜህር ሕዝበ ብዙኃነ ወዘተመርጐዘ በትር ሠራፀት ወበቁለት ወአውጽአት ሥርወ ወሀለወት እስከ ይእዜ ለትእምርት ወዕፀ ሦሪዕናሂ ምስሌሃ ወእምሥረዊሃ ወጽአ ማይ ወዘተሓፅቡ እምኔሃ ዱያን ወሕሙማን ይትፈወሱ ወየሃይዉ እምህማሞሙ ወበጊዜ ሠርከ አመ ፈቀደ ይንሥአ ለይእቲ በትር እስመ አውጽአት ሥርወ. . . . ወጸርሐ ብሂሎ እምአንበርዋ ጎበ ደብርየ ትኩነኒ ለበረከት ተሃሉ ምስለ ደቂቅየ ኦ እግዚእትየ ማርያም አጎዘንኩኪኑ ወይቤሎ እግዚአብሔር በደብርከሰ አጽምኪ ወመንበርኪ ወዘይውህዝ ታሕቴሃ ለበትርከ ይነብር እስከ ዳግም ምጽኣትየ።*

አቡነ ብሩክ አምላክ ኣብ ዓዲ ሸረፈቶ ገባሬ ተኣምራት ዝኾነ ዘውጽኦም ማየ ጸሎት ኣሎ። ከምኡ ውን ኣብ ከባቢ ሸምጅብሎኞ ዓቢ ማየ ጸሎት ኣለዎ። ሳልሳይ ከኣ ኣብ ከባቢ ጉሪታት ዝተባህለ ዓዲ ተከሌዛን ማየ ጸሎት ኣለዎ። ስለዚ ኣቡነ ቡሩክ አምላክ ንሃገርና ኤርትራ ኀኹላ ባሪክዋ እዩ።

✠ ✠ ✠

## <u>ታሪክጻድቕ ቅዱስ ኣቡነ ኣብራንዮስ ዘደብረ ጥሉል ዞባ ደቡብ ኤርትራ</u>

*«ወሀሎ ኣሐዱ ብእሲ ውስተ ሃገረ ጐኞም እምእድያመ « ስነምብሴ» እንተ ይብልዎ ካናት ዘስሙ ወልደ ክርስቶስ። ወስመ ብእሲቱ ወለተ ትንሣኤ ወክልኤሆሙ ፈራህያን እግዚአብሔር»* ካብ ጐኞም ስነምብሴ (ካናት) ኣብ ዝተባህለት ዓዲ ወልደክርስቶስን ወለተትንሣኤን ዝተባህሉ ቅዱሳን ሰባት ብፍርሃት እግዚአብሔር ዝመላለሱ ሰብ ቃልኪዳን ነበሩ። ምሉእ ናይ ዓለማዊ ሃብቶም ንድኻታት ዝምጽውቱ እዮም ኔሮም። ክልተ ኣዋልድ ድሕሪ ምውላዶም ንነዊሕ ጊዜ መኻናት ኮኑ'ሞ ሓዘኖም ዝናዝን ንኣምላኽ ዘሥምርን ነዘን ክልተ ኣዋልድ ሓው ዝሾነን ን ውላድ ክህቦም ንኣምላኽ ይልምኑ ነበሩ።

ብዝያዳ ቅድስት ወለተትንሣኤ ናብ ገዳማትን ባሕተውትን እናኸደት ትምሕፀንን ትራዳእን ነበረት'ሞ ወዲ ከም እትወልድ'ውን ይነግርዋ ነበሩ። ብድሕሪ'ዚ ጸሎታ ተሰሚዑ ብቅዱስ ሚካኤል ፍርቂ ለይቲ ንቅድስት ወለተትንሣኤ ጸሎትክን፣ ምጽዋትክን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ በጺሑ እዩ እሞ ወዲ ክትወልዲ ኢኺ፣ ግን ንምንታይ ክንድ'ዚ ዝኣክል ትሓዝኒ፡ ክልተ ኣዋልድ'ዶ ተዋሂበናኺ ኣየለዋን በላ። በሊ እቲ ሕጂ እትወልድዮ ሕፃን ንዓኺ ጥራይ ዘይኮነስ ንዓለም ምሉእ ብርሃን ዝህብ እዩ። ማለት ብትምህርቱን ስብከቱን በላ። ብጸሎት ንብዙሓት ካብ ኃጢኣት ናብ ጽድቂ ክመልሶም እዩ። ሽዑ ቅድስት ወለተ ትንሣኤ ንስኻ መን ኢኻ፡ ኢላ ንቅዱስ ሚካኤል ሓተተቶ። ንሱ ኣነ ኣብ ቅድሚ ዙፋን ኣምላኽ ዝቕውም መልኣኽ እግዚአብሔር ሚካኤል እየ በላ። እዚ ኩሉ ዝኾነሉ ዘመን ከኣ ኣብ መበል ፲፰ / 18ተ ዓመት መንግሥቲ ሐፀይ ሱስንዮስ ካቶሊካዊ እዩ። ኣብ'ቲ ጊዜ'ቲ ሃይማኖት ልዮን ኣብ ኢትዮጵያ ተኣታትዩ ነበረ እሞ ብናይ እግዚአብሔር ጥበብ ኣቡነ ኣብራንዮስ ኣብ ዘመን ክሓዲ ንጉሥ ኣይውለድን እየ ብምባል ንሸውዓተ ዓመትን ሸዱሽተ ወርሕን (7 1/2 ዓመት) ዝኣክል ኣብ ማኅፀን ኣዲኡ ቅድስቲ ወለተ ትንሣኤ ክጸንሕ ክኢሉ።

ቅዱስ ወልደ ክርስቶስ ንሰበይቱ እዚ ኣብ ከብድኺ ዘሎ እንታይ እዩ ነገሩ፡ በላ። ንሳ ግን ንግብሪ ኣምላኽ እሞ እንታይ ክንብሎ ከምቲ ቅዱስ ገብርኤል «ንኣምላኽ እሞ እንታይ ይሰኣኖ» ዝበሎ እዩ በለቶ። ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ

ሓንቲ ጐረቤት ሓዊ ክትልምን ናብ ቅድስቲ ወለተ ትን ሣኤ መጸት'ሞ ኣትን እዚ ኣብ ማህጸንክን ዘሎ ጥንሲ እን ታይ እዩ ጉዱ ኣይውለድን ድዩ፡ በለት'ሞ ኸው ኣቡነ ኣብ ራንዮስ ኣፍ ከፊቱ «ሓውኺ ለሚንኪ ዘይትከዲ እንታይ ኣእ ተወኪ ዘየምጽኣኪ ትሓቲ» ኢሉ መለሰላ እሞ እታ ሰበይ ቲ «እዝስ ኣብኡ እንከሎ ኣሪጉ እዩ እሞ ኣቦና ክሸውን እዩ» በለት። መጸውዒ ስም እዚ ገዳም እንዳ ኣቡነ ኣብራንዮስ «እንዳቦና» ይብሃል ኣሎ። ኩሎም ኣብ' ቲ ከባቢ ዝርከቡ ሰባት ከኣ መዓስ እዩ ዝውለድ እናበሉ ይጸ ቦይዎ ነበሩ።

*«ነገረ ቃልከ የበርህ ወያጠብብ ሕፃናተ ኣፉየ ከሰትኩ ወነፍሰየ ኣናህኩ»* ከም ዝበለ ቅዱስ ዳዊት *«በከመ ዮናስ በከርሠ አንበሪ፣ ወበከመ ዮ ሐንስ በከርሠ እሙ ሰብሓ ወዘማሪ» (መዝ. ፸፰)*

ድሕሪ ፯ (7) ዓመትን ፮ (6) ወርሕን ሱስንዮስ ሞተ' ሞ ወዱ ፋሲለደስ (ፋሲል) ነገሠ። *«ትፍልሰ እምነተ ሮምያ ወትንግሥ ሃይማኖተ እስክንድርያ»* ኢሉ ኣዋጅ ኣወጀ'ሞ ኣብዚ ኣዋጅ'ዚ ኣቡነ ኣብራንዮስ ተወልደ።

ድሕሪ ፵ (40) መዓልቲ ናብ ናይ ቅዱስ ጊዮርጊስ ቤተክ ርስቲያን ወሲዶም ኣጠመቕዎ «ኣብራንዮስ ብዝብል ስም ከ ኣ ሰመይዎ ትርጉሙ «ኣበራ» ኣብርሀ «ዮስ» ከኣ ፀሓይ ማለት እዩ። ብድምር ብርሃን ዓለም ማለት'ዩ።

ድሕሪ ፲፪ (12) ዓመት ኣሰር እንጦንዮስ፣ መቃርስ፣ ጳኩሚ ስ ንምስዓብ። ተበገሰ ብኢድ ወዲ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ ዝኾ ነ ኣቡነ ገብረ ኢየሱስ ኣስኬማ ዘመላእክት ተቐበለ። ብድሕሪ ምንኩስና መዓርገ ዲቁና ካብ ኣቡነ ሚካኤል ዝተባህለ ጳጳስ ተቐበለ።

ሓደ መዓልቲ ኣልባስ ቅዳሴ ለቢሱ ክቕድስ እንከሎ መንፈስ ቅዱስ ወሪዱ እቲ ጎብስቲ ናብ «ከዊነ ሕፃን» ክቕየር ርኣየ 'ሞ ተሓጐሰ።

እቲ መቃድስቱ ኣብ ውሽጢ መቕደስ ዝነበረ ኣቦ ስለምንታ ይ ኣብ መንጎ ቅዳሴ ትድቅስ ክብል ሕተቶ ንሱ ድቃስ ከይ መስለካ «ከምዚ እየ ርእየ» በሎ'ሞ ንሱ ጽቡቕ ዝወደይ በል ንኻልእ ሰብ ኣይትንገር በሎ። ትርፋቱን ቅድስናኡን ር እዮም'ውን እቶም ኣሕሉቕን ብጾትን የኽብርዎን የፍቅር ዎን ነበሩ። ብትሕትናኡን ተልእኮኡን ኣዝዮም ተሐጐሱ።

ቤተክርስቲያን ጥራይ ኣገልግል ናብ ካልእ ስራሕ ከም ዕን ጨይቲ፣ ማይ ... ወዘተ ኣይትኺድ ከኣ በልዎ። ሽው እቶ ም ኣብኡ ዝነበሩ ኣሕዋት ብቕንኣት ንምንታይ ከማና ማይን ዕንጨትን ዘየምጽእ ኢሎም ኣዕዘምዘሙ። ንሱ ከኣ ድሓን ኣ ቦይ ከማታቶም እናተላኣኸኩ ቤተክርስቲያን ከገልግል እየ ኢ ሉ ንናይ ክልቲኡ ተልኣኽ ይፍጽም ነበረ።

ሓደ መዓልቲ ዕንጨይቲ ተሰኪሙ እናኸደ ከሎ እቲ ዕንጨ ይቲ ንላዕሊ ክልተ እመት ማለት ሓደ ሜትሮ ዝኣክል ልዕል ኢሉ ይኸይድ ነበረ። ማይ'ውን እንተኾነ ንብዙሕ መዓልታ ት ከምኡ ሰለል እናበለ ካብ ምድሪ ተላዒልሉ ይኸይድ ነበረ ። ማለት መሬት ከይረገጸ ይኸይድ ነበረ። እዚ ኩሉ ድ ማ ኣብ ማኅበር ሓድነት ኣባ ተጠምቀ መድኅን ኮይኑ እዩ። ድሕሪ ነዊሕ ጊዜ ኩሎም እቶም ኣሕዋት ንኣባ ተጠምቀ መ ድህን እዚ ዘሎናዮ ቦታ ጥቓ ዓድታት ስለ ዝኾነስ ከምቲ ሕጊ ምንኩስና ካብ ገጽ ደቂ ሰባት ክንርሕቕ ኢሎም ሓተ ትዎ። ንሱ ከኣ ሕራይ በሎም። ከምኡ ከኣ ናብ ገጽ ኣንስ ቲ ዘይብሉ ቦታ ከይዶም ገዳም ገዳሙ (ኣቐሙ) ዝስተ ማ ይ ዝምጽኡ ቦታ ኣዝዩ ርሑቕ ነበረ'ሞ እቶም ካልኦት ኣሕ ዋት ክልተ ግዜ ጥራይ ከም ጽኡ እንከለዉ ኣቡነ ኣብራንዮስ ግን ሽውዓተ ግዜ የምጽእ ነበረ።

ድሕሪ ቁሩብ ጊዜ ብርእሱ ዘይኮነስ ብፍቓድ ኣምላኽ ክህነት ክቕበል ግዲ ኮኖ'ሞ ናብ'ቲ መዓርገ ዲቁና ዝሃቦ ኣባ ሚካ ኤል (ጳጳስ ኣባ ክርስትደሉ) ከደ መዓርገ ክህነት ከኣ ተቐበ ለ። ንኣገልግሎት ናብ ቤተክርስቲያን ክኣቱ እንከለሙ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ልብሰ ተክህኖ ዘኣኖን ተልብሶ'ሞ ናብ « ከዊነ እሳት» ይልወጥ ነበረ። ኣብ መንጎ ቅዳሴ'ው ን ሰማይ ተኸፊቱ መንበረ ሥላሴ ይረኣዮ ነበረ። እቲ ጎብስ ቲ ናብ ፍጹም ሥጋ መለኮት፣ እቲ ወይኒ'ውን ናብ ፍጹም ደም ወልደ እግዚኣብሔር ክልወጥ ይርኢ ነበረ።

ሓደ ሓደ ግዜ'ውን ብኣምሳለ በጊዕን ብኣምሳለ ሕፃንን ይረ ኣዮ ነበረ። ብጀካ እቲን ክልተ መዓልታት ኩሉ ግዜ ይጸወ ም ነበረ። ኣብተን ክልተ መዓልታት እንተኾነ'ውን ብኢድ ዓቂኑ ንእሽቶይ ብመጠን ይበልዕ ነበረ። ማይ'ውን ክሳብ ዝ ረዊ ዘይኮነስ ብመጠን ዘየጽግብ ይሰቲ ነበረ። ከም ዓንዲ ተ ተኺሉ ይጽሊ፣ ስግደት ከም መላእክቲ ክቑጸር ብዘይከኣል ይ

ሰግድ ረሃጹ ከም ፈልፋሊ ማይ ይውሕዝ፣ ኣብ ትሕቲክዳኡ' ውን ብሓጺን ዝተሰርሐ ጨጓር ማኾ ዝባላዕ ይኽደን እሞ ኣ ይድቅስን።
ብደበና ተጻዒኑ ክሳብ ሻብዓይ ሰማይ ይበጽሕ እሞ ኣብ ቅደ ሚ ኣብን ወልድን መንፈስቅዱስን ከኣ ይሰግድ። ምስቶም ፷ ፬ (24) ካህናተ ሰማይ ኮይኑ ሓቢሩ ማዕጠንት ሒዙ ይዓ ጥን ነበረ።
ከምቲ ናይ ኩሉ ሰባት ዘይኮነ፣ ጸሎቱ ባዕሉ ናብ ቅድሚ ኣ ምላኽ የወፈ። ከምኡ'ውን ንናይ ደቂ ሰባት ጸሎት የወፍን ከም መላእክቲ ኮይኑ ናብ ኣምላኽ የዕርግን። ሓደ መዓልቲ ን ፯ (7) ዓመት ዝኣክል በዓቱ ብምዕጻው ይጽሊ ኣብ ዝነ በረ ግዜ ብትእዛዝ ኣምላኽ ቅዱስ ገብርኤል ናብ ኤርትራን ትግራይን ኬድኻ ስቡክን መሃርን ጸልየሎምን በሎ።
ኣቡነ ኣብራንዮስ ከኣ ቕንቕ እቲ ሕዝቢ ኣይፈልጠን እየ። ቕንቕ እቲ ሕዝቢ'ውን ስለዘይሰምያ ኣይከይድን እየ በለ።
እግዚኣብሔር ንሙሴ፣ ንኣድጊ በልዓም ወዲ ቦኤር ዘዛርበ ኣ ምላኽ'ዶ ኣይትፈልጥን ወይ ኣይትኣምንን ኢኻ» በሎ። ከ ምኡ'ውን ንሓዋርያት መንፈስ ቅዱስ ዝገለጽኩ ኣነ ዶ ኣይከ ኾንኩን ምስ በሎ'ውን «ኣነ ዝኾነ ኮይኑ ካብ ገዳመይን ካ በ በዓተይን ኣይወጽን እየ» በሎ። እዚ ኩሉ ቅዱስ ገብርኤ ል ዝብሎ ነቡኡ ኣባ ተጠምቀ መድሕን ነገሮ። ኣባ ተጠም ቀ መድሕን ከኣ ደሓን ኣጸቢቕካ ኣይትሸገር ዝወደይ ኢሉ ሳጹናት ኣምጺኡ ሃቦ። ናይ ግድን ክገብሮ ከምዘለዎ ከኣ ነገ ሮ። ሽዑ ተንሢኡ ካብ መዝሙር ዳዊት «መንገዲ ጽድ ቕኻ ምርሓኒ» ዝብል መዝሙር ጸለየ። ብሓደ መዓልቲ ከኣ «መደባይ» ኣብ እተባህለ መሬት ትግራይ በጽሐ።(ካል ኣይ ስሙ በኣተሃምኖ) ይባሃል። ኣብኡ ዓበይቲ ሽማግሌታት ዝኾኑ መነኮሳት ጸንሕዎ ንቑሩብ ግዜ ምስኦም ድሕሪ ምጽና ሕ ናብ ሃገረ ሰራየ፣ ናብ ሃገር ቡር፣ ናብ ሃገረ ሓማሴን ክ ከይድ ምስ ተበገሰ ሽዑ እቶም መነኮሳት ኣሕዋት ከም ሰብ ዘይኮነ ከም መልኣኽ ገይሮም የፍቅርዎ ስለ ዝነበሩ እናበኽዩ ኣፋነውዎ። ድሕሪ'ዚ ናብ ሰራየ ማዕዶ ስግር መረብ ተሳገረ ። ኣብ ዓይላ ጉንደት ዝተባህለ ገዳመ መነኮሳት (ፈለስቲ) በጽሐ ንኣ፱ (24) መዓልቲ ዝኸውን ከኣ ብዘይመግቢ ኣብ ኡ ብጾምን፣ ጸሎትን ቀነየ።
ቅዱስ ገብርኤል መልኣኽ መጺኡ እዚ እውን ቦታኻ ኣይኮነን ኢሉ ነገሮ። ገድልን መከራን ፈተናታትን ምስ በዝሐ ኣብቲ ሓራምዝ ዝሓልፉሉ ሩባ ምእ ንቲ ክርገጽ እሞ ቀልጢፉ ክመውት ደቂሱ ስጥሕ ኢሉ ወ ደቐ። ግን መልኣኽ እግዚኣብሔር ቅዱስ ገብርኤል ገና ግዜኻ ኣይበጽሐን፣ ብኣኻ ዝድሕና ነፍሳት ስለዘለዋ ተንሥእ ም ስ በሎ ኣቡነ ኣብራንዮስ ነቲ መልኣኽ «ንስኻ እኳ ኣይት ሓምም፣ ኣይትመውት ካብ ንፋስን እሳትን ዝተፈጠርካ ዘይት ጠሚ ኢኻ። ኣነ ግን ካብዚ ድኹም ዝኾነ መዋቲ ሥ ጋ ዝተፈጠርኩ ስለ ዝኾንኩ ሕደገኒ ካብዚ መከራ እዚ እኳ የዕርፍ ከመውት እየ» በሎ። ሽዑ ቅዱስ ገብርኤል ተቐጢዐ ፡ የማነይቲ እግሩ ተንከፎ'ሞ ቆሰለት። እዛ ቁስሊ ናይ ኣቦና ኣቡነ ኣብራንዮስ ካብኣ ብዙሓት ሕሙማት ብምልካይ ይፍወ ሱ ነበሩ። ድሕሪ'ዚ ናብ ገዳም ኣቡነ ብፁዓ ኣምላክ ዘጽ ልማ ከደ። ብኽብሪ ድማ ተቐበልዎ። ኣብኡ እናመስገነ እናዘ መረ ድሕሪ ምቕናይ ናብ ደብረቢዘን ተጓዕዘ። ማለት ጉዕዝ ኡ ብብሩህ ደበና ነበረ። ገድሊ ኣብ ልዕሊ ገድሊ እና ወሰኸ ከኣ ኣብኡ ንዝነበሩ ብዙሓት ኣጋንንቲ ብትእምርቲ መስቀል ኣማዕቲቡ ኣወገዞም እሞ ከም ትኪ ተበተኑ። ንሸ ውዓተ(7) ወርሒ ዝኣኽል ከኣ ኣብኡ ተቐመጠ።
ንሓማሴን ክከይድ ከኣ ተኣዘዘ። በዚ ድማ እቶም ኣብ ገዳ ም ኣቡነ ብፁዓ ኣምላክ ዝረኣይዎ ሰባት ምስኦም ክቕመጥ ለመንዎ። ሕራይ'ውን በሎም። ብዳስ ዝመስል ገይሩ ከኣ ገ ዛ ሰርሑሉ። ብዙሓት ሰባት ኩሉ ዓለማዊ ነገር ገዲፎም ናብ ኣቡነ ኣብራንዮስ ክመጹ ጀመሩ። መነኮሳት ምስ በዝሑ ኣዝ ዩ ተሓጐሰ። ሥርዓተ ምንኩስና ኣጽኒዖም ንኽነብሩ ከኣ ኣዝ ዩ ይላበዎም ነበረ። ኣብ ባምብኞ ሓንቲ ንግሥቲ ማርያምዝ ተባህለት መነኮሳይት ብልዑል ዜማ ማዕረ እቶም ኣገልገልቲ ትዝምር ነበረት። ሽዑ ኣቡነ ኣብራንዮስ ከም ካህናት ዓወ ፡ ኢልኪ ክትዝምርስ «ጳውሎስ» ዚበለኪ'ዶ ኣየንበብክ ን ኢኺ በላ። በዚ ንሱ ማዕጠንቲ ሒዙ ቡቲ ምቅዋመ ኣንስ ቲ እናዓጠነ እንከሎ ድሕሪኡ ምስ ሃባ ብመቐምያ ሠለስተ(3) ግዜ ርእሱ ዘበጠቶ ንሱ ንናይ ጐይታናን መድኃኒናን

ኢየሱስ ክርስቶስ ስቓይ ብምዝካር ዋላ ሓደ ከይመለሰ ጉዳይ ጸሎተ ማዕጠንቱ ፈጸመ።
ሓደ መዓልቲ ኣብ ዓዲ ሰልዳይት እናተቐመጠ እንከሎ ነቶም ተማህርኡ ሓደ ሰብኣይ ካብ ኣባርዳእ ይመጽእ ኣሎ ኢለ ነገሮም እሞ ተገረሙ። ማለት ከመይ ገይሩ ፈሊጥዎ ብዝበል ሓሳብ ተገረሙ። ነቶም ኣርድእቲ ኣቐዲሙ ክባረኽ ምስ ሓተቶም እንታይ ሃወኽካ እኽለ ማይ ቅድም ዘይቀርበልካ ምስ በልዎ ኣቡነ ኣብራንዮስ ግን ክኣቱ ፈቐዱሉ በሎም። ተቐቢሉ እንታይ ኣምጽኣካ ኢሉ ሓተቶ። ንሱ ወሬኻ ሰሚዐ ክምንኮስ በሎ። ኣምላኽ የኽእልካ ብምባል ከኣ ኣመንኮሶ።
ኣብቲ ዝነበሮ ቦታ ኣብ ዓዲ ሰልዳይት እንከሎ ሓንቲ መንእሰይ ጓል ካብ ማዕዶ መረብ መጺኣ ኣመንኮሰኒ ኢላ ኣጸቢቓ ለመነቶ። «ኣንቲ ጓለይ ንእሽቶ ኢኺ ኣርዑት ምንኩስናከ ኣ ቀሊል ኣይኮነን» እሞ ጽንሕ በሊ እንተበላ ንሳ ግና ብንዋዓትን፣ ብኽያትን ኣጨነቐቶ ከምኡ'ውን እዘን ምሳኻ ዘለዋ መነኮሳያት ከማይ'ዶ ኣይኮናን ኢላ ምስ ኣጨነቐቶ ኣመንኮሳ። ኣቦና ከኣ ለዋህ እምበር ጨካን ሰለ ዘይኮነ «በሊ እዛ ጓለይ ነተን ቀዳሞት ደናግል ዘኽኣለ ኣምላኽ የኽእልኪ ፍትወት ሥጋን ፍቕሪ ዓለምን የርሕቐልኪ ኢሉ መረቕ።
ድሕሪ ቁሩብ ጊዜ ኣሕዋታን ቤተሰባን ብኵናትን ዋልታን መጺኦም ብኃይሊ መንኮሳ እንከላ ካብተን መነኮሳያት ኣሕዋታ ፈልዮም ክወሰድዋ መጽኡ። ኣብዚ ግዜ እዚ ደቂ መዛሙርቲ ይወስድዋ ኣለዉ ኢሎም ነገርዎ። ኣቦና ኣቡነ ኣብራንዮስ ግን ድሓን እዞም ደቀይ እግዚኣብሔር ተኣምራቱ ከርኢ እዩ ኢሉ ጸሎት ገበረ እሞ እቲ ክመጹ እንከለዉ ጃሕጃሕ ዝብል ዝነበረ ማይ ክምለሱ እንከለዉ ነቒጹ ዋላ ገለ ቁሩብ ጠሊ ዘይብሉ ኮይኑ ጸንሖም።
ኩሉ ቤተሰቦምን ንሳቶምን ከኣ ሕማም ተላጋብን፣ ሕማም ብድብድን ተታሕዙ። ሽዑ ተጣዒሶም ንኣቡነ ኣብራንዮስ ይቕሬታ ሓቲቶም ንንሎም ኣምጺኦም ሃብዎ።
ኣቡነ ኣብራዮስ ከኣ ከም ኣምላኹ ርኀሩኅ ስለ ዝኾነ ናብ ኣምላኽ ብምጽላይ እቲ ማይ ከም ቀደሙ ጃሕጃሕ ከምዝብል፣ እቲ ሕማም'ውን ከም ዝምለስ ገበረ።
ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ኣብ ዓዲ ሰልዳይት እንከሎ ቦታይ ኣርእየኒ ኢሉ ናብ ኣምላኽ ምስ ጸለየ። ሽዑ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም፣ ቅዱስ ሚካኤል ሊቀመላእክቲ፣ መጺኦም ብማዕዶ ኣብ ደብረ ጥሉል ካብ ምድሪ ናብ ሰማይ ዓምደብርሃን ተተኺሉ ከሎ ከምዝርኢ ኣመልኪትዎ። ቅድስት ድንግል ማርያም በል እዛ እትርእያ ዘለኻያ እያ ቦታኻ በለቶ። ከም ገዳመ ኣስቀጥስ፣ ከም ገዳመ ቆሮንቶስ፣ ከም ገዳመ ዋሊ፣ ገይረ ባሪኽያ ቀዲሰያ እየ በለቶ። ሽዑ ኣብ ሀገር ሰራየ መኰንን
ዘርኣ ቡሩኽ ዝተባህለ ብስም ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ቤተክርስቲያን ሰሪሑ ፈጺሙ ምስ ወድኤ ኣቡነ እብራንዮስ ነቶም ደቒ መነኮሳትን መነኮሳይያትን በቦትኣም ፈላለዮም። ካብ ሓማሴን፣ ካብ ሰራየ፣ ካብ ሃገረ ቡር፣ ከኣ ብዙሓት መንኮሱ። ሓደ መዓልቲ ኣቡነ ኣብራንዮስ እቲ ምድራዊ መግቢ ከም መሪር ዕረ ኮይኑ ምስ መረሮ ምብላዕ ኣብ ዝኣበየሉ ግዜ ማለት ኩሉ ግዜ'ውን ንማለቱ ባህ ምእንቲ ክብለሞም ድኣ ይጥዕመሎም ነበረ እምበር ኣይበልዕን ነበረ። ካብ'ዚ ዝተበገሰ እቲ መጋቢ ዝነበረ ረድኢ ንምንታይ ዘይትበልዕ እምባኣርከስ ኣነ'ውን ብጥሜትን፣ ጾምን ነፍሰይ ከሕልፍ እየበምባል ኣዝዩ ምስ ኣሸገሮ ወይ ከኣ ኣነን ኣኀዋተይን ዝበደልናዮ ነገር እንተሃልዩ ንገረና ኢሉ ኣሸገሮ። በል እዚ ወደይ ኣብ ቅድሚ ስእሊ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ኮይነ ክጽሊ እንከለኹ ማርያም ሰማያዊ ጎብስቲ ኣምጽኣትለይ እሞ ብመዓዝኡ ጥራይ ጸገብኩ እዚ ምድራዊ ጎብስቲ ከኣ መሪር ኮይኑ ተሰሚዑኒ። ስለዚ እየ ምብላዕ ዝኣበኹ ኢሉ ገለጸሉ። እዛ ዝብለካ ዘለኹ ክሳብ ዕለት ሞተይ ከይትነግር ሓደራኻ ኢሉ ከኣ ተላበዎ። ምኽንያቱ ቅዱሳን ውዳሴ ከንቱ ኣይፈትውን እዮም።
ሓደ መዓልቲ ኣብ ሃገር ቡር ኮይኑ እናጸለየ እንከሎ ኣብ ዓፀደ ቤተክርስቲያን ንእትርከብ ዕፀ ድርስ ብመንፈስ «ሓደ ሰብኣይ ክቕርጸ ከሎ ምስ ረኣዮ ንኣርድእቱ እታ ዕንጨይቲ ኣብ ዓፀደ ቤተክርስቲያን ዘላ እምበር ትቕረጽ ኣላ» ኢሉ

ነገሮም። ይኹን እምበር እቲ ሰብኣይ ሽዑ ንግዚኡ ብኢደ መልኣኽ ተቐዚፉ ሞይቱ እዩ በሎም። ኣብኡ ኣብ ምድረ ቡር ንክልተ ዓመት ዝኣክል ተቐመጠ።

ንዕረፍቱ ክልተ ዓመት ክተርፎ እንከሎ ነቲ ቅድም ኣብ ጊዘ ሕፃንነቱ ካብ ምድሪ ደምብያ ዝተኸተሎ ተማህራዩ እቶም ተማሃሮ ናይ ደምብያ ሰብ እኮ ስቐ ኢሎም ከም እንስሳ ም ስ ዝመጸ ዝኽተሉ እናበሉ ዘቃልልዎ ዝነበሩ ኣካለክርስቶስ ዝ ተባህለ ቀዳማይ ወደይ መስቀለይን መንበረይን ሂበካ ኣለኹ በሎ። ኣባ ኣካለክርስቶስ «እንኳን ብሕይወትካ እንከሎኻ ብ ድሕሬኻ እንተኾነ'ውን ኣብ መንበርካ ክቐመጥ ኣይደፍርን እየ» በለ።

«ኣቡነ ኣብራንዮስ ብናተይ ፍቕድ ዘይኮነስ ብናይ ጐይታ ሓበሬታ እየ ዝብለካ ዘለኹ» ምስ በሎ ሕራይ በለ። ሽዑ ኣ ቡነ ኣብራንዮስ ንሙሉኣት ማኀበር ሰብኣይን ሰበይትን ኣኪቡ ብድሕረይ ንኣባ ኣካለክርስቶስ ሽይመልኩም ኣለኹ። ደጊም ናተይ ዕድመ እናኣኸለ ምኻኑ ፍለጡ በሎም። ማለት ንዕ ኡ ዝተኣዘዞ ንዓይ ከምዝተኣዘዘ ንዕኡ ዘይተኣዘዘ ከኣ ንዓይ ዘይተኣዘዘ ምኻኑ ፍለጡ በሎም።

ድሕሪ'ዚ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንቅዱስ ማ ኀኣሌልን፣ ቅዱስ ገብርኤልን

ኣኽቲሉ ሠለስተ(3) ነገራት እህበኻ ኣሎኹ በሎ።

1. ሓደ ምእንቲ ሓዋርያነትካ (ስብከትካ)፣
2. ካልኣይ ን280 ዓመት ናይ ዝተዓገስካ ስምዕትነትካ፣
3. ሣልሳይ ናይ ክብሪ ድንግልናኻ ኢሉ ሃቦ።

እንደገና ፍልሰቱ ምስ ቀረበ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒና ን ኢየሱስ ክርስቶስ መልኣኹ ልኢኹ ጸሎትካን ድኻምካን፣ ኩሉ ልማኖኻን ተቐቢለዮ ኣለኹ'ሞ ካብዚ ኃላፊ ዓለም ናብዘ ይሓልፍ ዓለም ናዓ በሎ። ማለት ናብ ኣቦታትካ እንጦንስ፣ መቃርስ፣ ኣብርሃም፣ ይስሓቅ፣ ያዕቆብ ኢሉ ጥዑም ቃል ኣስ ምየ።

## ቃል–ኪዳን

ሽዑ ኣቡነ ኣብራንዮስ እዚ ቃል'ዚ ምስ ሰምዐ ኣዝዩ ተሓጉ ሱ ከምዚ ኢሉ ቃል መለሰ። ንዓይ ምሓራኒ ዝክረይ ንዝገበ ረ፣ ስመይ ንዝጸውዐ፣ ብስመይ ኩባያ (ጣሳ) ማይ ዝስተየ፣ ብጸሎተይ ዝተኣመነ፣ መጽሓፈይ ዘጽሓፈን፣ ዘጽሓፈን መባእ ዝሃበ፣ ኣብ ገዳመይ ዝተቐብረ፣ ብኢደይ ኣሰኬማ ዝለበሰ፣ ኣ በ ገዳመይ ዝመንኰሰ ውን፣ መሓረለይ በሎ። ጐይታናን ኣ ምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኩሉ ዝለመንካዮን ዝ ደለኻዮን ይኹነልካ በሎ።

ድሕሪ'ዚ ኣቡነ ኣብራንዮስ ብሓጐስ ናብ እግሪ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ሰገደን ኣመስገነን።

ዋሕስ ግበረልይ ከኣ በለ እሞ መን ይሕሸካ፡ ምስ በሎ «ኣ ቦና» ኣደይቅድስት ድንግል ማርያምን፣ ቅዱስ ጊዮርጊስን በ ለ። ሽዑ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ቅድስት ድንግል ማርያምን፣ ቅዱስ ጊዮርጊስን ዋሕሳት ሃቦ። ቅድሚ ሞቱ ሓደ ካብ ደቁ ኣጋንንቲ ናብ ናይ ኃጢኣት ስ ፍራ ወሰድዎ ኣቡነ ኣብራንዮስ ስእሊ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያምን፣ ስእሊ ቅዱስ ጊዮርጊስን ብምሓዝ ናብ መንበረ ሥላሴ ከይዱ ዝኾነ ንጐይታ ነገሮ። እቶም ዝተዋሕስዎ ከኣገ ጐይታ ዘይሕሶ ቃልካ ሰማይን ምድርን ብቓል ኪዳንካ ዘቐም ካ ካብ ደቂ ኣቡነ ኣብራንዮስ ንሕና ዝዋሕሱ ንነፍሱ ኣጋንን ቲ ይጸውቱላ ኣለዉ'ሞ መሓራ በሎ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ መሓራ። ድሕሪ'ዚ ንእሽቶ ሕ ማም ሐሚሙ ብዕለት ፳፩ (21) ነሓሰ በዓል ማርያም ካብ ዛ ናይ ጻዕርን ድኻምን ናብ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ሓለፈ

***ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜ ን።***

እታ ኣመንቲ ዝሳለሙላ ዓባይ እምኒ መንብረ ኣቡነ ኣብራን ዮስ ምኻና ካብ ግብጺ ዝመጹ

ጳጳስ ዓብደል መሲሕ (ገብረክርስቶስ) ዝተባህሉ ይምስክሩ ማለት፡– ***"እሰክ ይዕዜ ይእቲ ዕብን ብአፍአ መቃብሪሁ ለአቡነ ኣብራን ዮስ።"*** ብምባል ይምስክሩ።

***<u>ካብዚ ኣቦ'ዚ ካብ ዝተወልዱ ዓበይቲ ኣቦታት፡–</u>***

1. ኣቡነ ዘሚካኤል
2. መምህር (የኔታ) ሲራክ
3. መምህር ገብረ እግዚኣብሔር ኣቡነ ዲዮስቆሮስ 4ይ ፓ ትርያርክ ዘሃገረ ኤርትራ

✠ ✠ ✠

# ታሪኽ ጻድቕ ቅዱስ አቡነ ፊልጶስ ዘደብረ ቢዘን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ

ናይ ኣቡነ ፊሊጶስ መንፈሳዊ ትውልዲ እንጦንዮስ፡ወመቃርስ፡ በሶይ፡ኣትናሲስ፡ ዓቢየ እግዚእ፡ እቡነ ስንበልት(ዳንኤል) ኤ ዎስጣቴዎስ፡ በኪሞስ ክቡር አቡነ ፊልጶስ። እዚ ቅዱስ ኣቦ ኣቡነ ፊልጶስ ንገዳም ደብረ ቢዘን ዝገደመን ዝመሥረተን አ ቦ ኮይኑ ትውልዲ ሃገሩ ኣብ ትግራይ ከባቢ ኣኽሱም ካብ ዓ ሌት ደቂ ኣንከረ ባሩኳ ዝብሃል ዓዲ እዩ ተወሊዱ። ስም አ ቡኡ ይርድኣነ እግዚእ፡ ስም ኣዲኡ መግደላዊት ይበሃሉ። እዞም ክልተ ሰብ ቃል ኪዳን ከም ኣብርሃምን ሳራን መኻና ት እዮም ኔሮም። ቅድስቲ መግደላዊት ግን እግዚኣብሔር ወ ላድ ኃኽሀባ ለይቲ ምስ መዓልቲ ትጸውምን ትጽልን ነበረት። ዝበልካዮ ዘይርስዕ፡ ዝለመንካዮ ዘይከልእ፡ እግዚኣብሔር ድማ መልኣኹ ሰዲዱ “ጸሎትኪ፡ መብጽዓኺ ተቐቢለዮ እየ ስለዚ ብትምህርቱ ንብዙሓት ነፍሳት ዘድሕን ናይ ብዙሓት አቦ ዝ ኽውን ዝኽበረን ዝለዓለን ዝነጽሀን ዝተቐደሰን ውላድ ክህበክ ኒ እዩ” በላ። መግደላዊት ኣዝያ ተሓጐሰት። ከምዚ ከኣ በለ ት ውርደት ባርያኡ ርእዩ ይቕሬታ ዝገበረለይ ዓስቢ ጸሎተ ይ ዘይከልኣንስ ኣምላኽ ይመስገን።

ድሕሪ'ዚ ብዘመን መንግሥቲ ኣምደ ጽዮን ብ፱ (9) ጥቅ ምቲ አቡነ ፊሊጶስ ተወልዱ። ኣዴና መግደላዊት ድሕሪ ኣርባዓ መዓልቲ ከተጠምቕ ምስ ከደት ከምቲ ሐና ሰይቲ ህ ልቃና ንሳሙኤል ወዳ ብመብጽዓ ንኣምላኽ ዝወፈየቶ 1 ይ ሳሙኤል 1, 28 ኣነ ድማ ንእግዚኣብሔር እህቦ ኣለ ኹ ንሙሉእ ዕድሚኡ ንእግዚኣብሔር ኣገልጋሊ ክኸውን እዩ ኢላ ኣወፈየቶ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ቅድስቲ መግደላዊት እቲ ሕፃን ምስ ዓበየ እ ዛ ዓለም እዚኣ ኃላፊት ምኻና ተረዲኣ ንወዳ ወደይ ከም ነብዩ ኤልያስ ኩን፡ ከም እዝራ ኩን ከም ነብዩ ሳሙኤል ኩን፡ ኢላ መሪቓ ኣብቲ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ዝቕመጣሉ ገዳም ከይዳ መንከሰት።

ፊሊጶስ ወዳ ድማ ኣጆኺ ኣደይ ኣይትፍርሂ ኢሉ ካብ ቅዱሳ ት መጻሕፍቲ ጠቒሱ ኣጸናንዓ። ብድሕሪ'ዚ ተፈላለዩ። ንሱ ናብቲ ገዳም አበው ደበረ ጸራቢ ከይዱ ብዘይ መምህር ፹ ፩ (81) መጻሕፍቲ መንፈስ ቅዱስ ገለጸሉ።

ኣባ ፊልጶስ ብ25 ታኅሣሥ ንምብራኾ ኣቢልካ ኪድ እሞ ናብ ደብረቢዘን ደይብ ዝብል ቃል ካብ እግዚኣብሔር ሰምዐ “ደብረቢዘን ማለት ድማ ሚዛን ማዕረ ማለት እዩ። ወርቅን፡ ብሩርን ብሚዛን ከም ዝምዘን ከምኡ ከኣ ኣብ ደብረ-ቢዘን ቅዱሳን ጻድቃንን ኃጢኣተኛታትን፡ ገርህታትን፡ ክፉኣትን፡ ድኹማትን ፍጽማንን ጎደሎታትን ዚምዘንሉ ቦታ እዩ።” ካብ'ዚ ንደሓር ነዚኦም ሒዞም ድማ እዮም ኣብ ዓንሰባ ተጋድሎኦም ዝቐጸሉ ኣቡኡ ኽኣ መሸላ ዘርኡ እሞ እቶም ሕዝቢ ድማ ብኣንጻርነት ተላዒሎም ንመሸላኦም ማል (ከብቲ) ጌሮም ኣሰዓርሎም ሓንቲ ቓንጫ ግና ንትእምርቲ ተረፈት ንዕኣ ድማ እናሓለዉ ክሳዕ ፍረ ተጸበይዋ ኣብ እቶታ ድማ ሽሕ ዓይቢት (ኮንታል) እኽልን፡ ኃሙሽተ ኩንታል ጉርድን ኮነት። ኣብ'ቲ ቦታ እውን ብዙኃት ሕሙማት ከም ዝፈወሱን ማይ ከም ዘፈልፈሉን ሓራምዝ እውን ህይንተ ፈረስ ኮይነን ይጾሮኡም ከም ዝነበራ ይንገር።

<u>ገድለ ኣቡነ ፊልጶስ ብራና</u> ተመልከት።

ካብዚ ንደሓር እውን ጻድቕ ፊሊጶስ ነቶም ደቂ ንዑ ኢሉ ኣኪቡ ከም'ዚ በሎም እግዚኣብሔር ኩላሕናስ ናብ እግዚኣብሔር ንጸሊ በሎም። ኩሎም ድማ ክጽልዩ ከለዉ ዝርኢ ቀስተ ደመና ተተኺሉ ኣብቲ ገዳም ረኣዩ ቁመቱ ካብ ሰማይ ክሳዕ ምድሪ በጺሑ ረኣዩ። ፋድል ፊልጶስ ደቀይ እንታይ ርኢኹም በሎም ንሳቶም ከኣ ኣብ ልዕሊ እቲ ደብሪ ቀስተ ደመና ተተኺሉ ርኢና በልዎ ንሱ ኣነ እውን ከምኡ እየ፡ ርእየ በሎም። መንፈስ ቅዱስ ዘርኣየኒ፡ ርስተይን ርስቶኹምን እያ ኣብ ዓለም ንዝተገፍዑ መሕደሪ ክትኸውን እያ በሎም።

ብድሕሪ'ዚ እውን ኣባ ኤርሚያስ ኣባ ገብርሔርን ንዝተባህሉ ክልተ ኣርዳእቱ ኪዱ ነታ ሃገር ርኣይዋን ሰሊልክምዋን ምጽኡ በሎም ኣጎዋተይ ነታ ኖህ ዝለኣኻ ርግቢት ምሰሉ ነቶም ሙሴ ዝለኣኾም ካሌብን ኢያሱን ደኣ ምሰሉ . . .

ወ.ዘ.ተ. ኢሉ እናተላበወ ለኣኾም። ክልቲኦም ድማ ገስጊሶም ኣንጊሆም ክኸዱ ከለዉ እቲ ቀስተ ደመና ለይቲ ንደቂ እሥራኤል ዝመርሖም ዓምደ እሳት ኮነሎም ናብኡ ክሳዕ ዝበጽሑ ናብ ትሕቲኡ ክሳብ ዝቆሙን ኣይሰወሮምን ነበረ። እቶም ልኡኻት ኣጎዋት ኣብዚ ገዳም እዚ ምስ ደየቡ ኣዝዩ ኣፍርሖም ካብ ፍርሓትን ስንባደን ዝተላዕለ ደው ኢሎም ክጽልዩ ከለዉ “ኣባ ኤርምያስ” ካብ ሰማያት ኣፍደገ ተኸፊቱ ረኣየ። ነፍሳት እውን ኣብ 2ተ ተኸፊለን ረኣየ ንሳተን ድማ፡- ነፍሳት ኃጥኣን ኣብ ሲኦል ክጭነቓ፣ ነፍሳት ጻድቃን ድማ ኣብ ገነት ክሕጎሳ ረኣየ። በዚ ምኽንያት ክልቲኦም ናይ'ዛ ገዳም ግርማን፣ ዕቤትን ምስ ረኣዩ ናብ ኣቡኦም ተመልሱ ፋድል ፊልጶስ ኣቱም ቡሩኻት ደቀይ እንታይ ርኤኹም፡ በሎም ንሳቶም ድማ ከምዚ ክብሉ ንኣቡኦም መለስሉ፡- ስራሕ እግዚኣብሔር ዘገርምን ዘደንቕን እዩ በልዎ፣ ንሓድሕዶም ዝባልዑን፣ ዝመናዝዑን ኣራዊት ገዳም እንተዘይኾይኑ ካልእ ሰብ ኮነ እንስሳ ዝነብሮ ኣይኮነን ብዘይካ እሾኽን ተኾርባዕን፣ ንገዳማውያን ዝኸውን መግቢ ኣይርከቦን እዩ መገዱ እውን ሸታሕታሕን ዓቕብን እዩ። ኣብ ርእሲ ከምዚ ምኻኑ ዓዲ ኣረማውያን እዩ ካብዚ ንባሕሪ ኤርትራ መገዲ ሓደ መዓልቲ እዩ። (ፈርኦን ዝተሰየመሉ ናይ ሎሚ ባሕሪ ኤርትራ ቀይሕ ባሕሪ እዩ)።
ገዳማዊ ፊልጶስ ነዚ ምስ ሰምዑ ከምዚ በሎም ኣቱም ቡሩኻት ደቀይ ነቶም ቡሩኻት ደቂ ብመንፈስ ቅዱስ ደስ እንዳበሎ ኸኣ እቲ ሕያው ኣምላኽይ ዘርኣየኒ ኣይፈርሕን እየ በሎም።

## ጉዕዞ ንደብረ-ቢዘን

ብድሕሪዝ ምስ ኣርድእቱ ተንሢኡ ካብ ዓንሰባ ንዝባን ምድሪ ሓማሴን በጽሐ። እናተጓዓዙ ከለዉ ኣብ ከባቢ ካርነሽም ገረሚ ኣብ ዝተባህለ ቦታ (ዓዲ) ምስ በጽሑ ብኢዶምን ብብርኮምን ዝፈሓኹ ድውያን ጸንሕዎ እሞ ክንዲ ኣሳእን እውን የዕጫው ነበሮም። ናይ ኣቦና ፊሊጶስ ጽላሎት ርእሲ ምስ ኣንጸላለዎም ኣካሎም ተሓዲሹ ቀልጢፎም ተንሥኡ ጉልበቶም እውን ቀንዓሎም፣ ከም ሐደሽቲ ሕጻናት ድማ ኮኑ። ዓዲ ኣትዮም ንቤተሰቦም ከምዚ በልዎም ክርስቶስ ፈላሲ ገዳማዊ መሲሉ መጺኡስ ኣብዚ ዓለም ይመላለስ ኣሎ በልዎም። ሕዝቢ እታ ዓዲ ድማ ኀኽርእይዎ ተበገሱ ፊሊጶስ ገዳማዊ ድማ ብመንፈስ ቅዱስ ፈሊጡ ውዳሴ ከንቱ ከይኮኖ ኢሉ ናብ ኣምላኹ ሠውረኒ ኢሉ ኣመልከተ ሽዑ ድማ ምስ ደቁ ከም ቅጽበት ካብ ዓይኖም ተሠወረ። በዚ ምኽንያት ድማ ኣቡነ ፊልጶስ “ካብ ገጽ ኣንስቲ ገጽ ኣናብስቲ” በለ ዝበሃል ካብዚ ንድሓር ድማ ኣቡነ ፊልጶስ ንደብረቢዘን ቅድሚ ምእታዉ ብምዕራብ እቲ ገዳም ዝርከብ እንባ ጸሎት ዝበሃል ኣዕረፈ። ኣብኡ ድማ ድምጺ ደርሆን ድምጺ ኣንስትን ምስ ሰምዐ ንካልኣይ ግዜ “ካብ ገጽ ኣንስቲ ገጽ ኣናብስትን ኣናብርትን ይሓይሽ በለ”። ብራና ገድሊ ኣቡነ ፊልጶስ ብድሕሪዝ ኩሉ ኣቡነ ፊልጶስ ጉዕዞኦም ጀመሩ ብወገን ደቡብ ናይቲ ገዳም ድማ ምስ 16 ኣርድእቶም ኣተዉ መልኣኽ ድማ መገዲ ይጸርገሎም ነበረ።
ኣቡነ ፊልጶስ ፋድል ኣብ ገዳም ምስ ኣተዉ ነታ ገዳም ብመስቀሉ ጌሩ ብምብራኾን፣ ምዕራብን ሰሜንን፣ ደቡብን ባረኻ ምስ ባረኻ ኣብኡ ዝነብሩ ኣጋንንቲ ተረበሹ ብቓንቋ ሰብ ወይለና በሉ። ኣብኡ ካልእ ኣራዊት ሓዲሩ ዝነበረ ርኹስ መንፈስ ኣእወየ ንዕኡ እውን ምስ ባረኾ ተመታተረ “እታ ሀድርዎ” እትበሃል ከውሒ እውን ክሳዕ ሎሚ ዕጣኾ ብምስሊ ዓቢይ ኣራዊት ገበል ዝመስል ኣለዋ ከምዚ ክትበሃል እውን ትጽዋእ ኣላ። እምኒ ቅኑት። ምስ ኣእወየ ገዳማዊ ፊልጶስ ከምዚ በሎም ንዓይን ንኻኹምን እዚ ቦታ እዚ ኣይኣክልን እዩ በሎም ከምዚ እውን በለ (ይትነሳእ እግዚኣብሔር ወይዘረውጾሩ) ተኣኪቦም ክኸዱ ከለዉ እቶም ኣጋንንቲ እቲ ዝኸድሉ ቦታ ልክዕ ግመ ዝመስል ዶሮና ተላዒሉ ነታ ቦታ ከደኖ። እታ ቦታ ካብ ቁስላ ተፈዊሳ ደሓነት። ኣቦና ኣቡነ ፊልጶስ ቢዘን ምስ ኣተዉ ተቀዳዲሙ ማኅበር ሓድነት ኣቑንዐ። ልክዕ ከም ማኅበር ሓዋርያት ግብ.5÷1 ብዙኃት እውን ናብኡ እናመጽኡ መድኃኒት ነፍሶም ደልዮም መንኩሶም እዮም። ብመዋዕል ኣቦና ኣቡነ ፊልጶስ ብዝሑም “900” መነኮሳት ነበሩ። ናይ ሕርሻ ቦታታት ድማ ተቃንዐ ከም በዓል ዴዳ፣ ዛላዓቢይ፣

ዛላኣዋልድ፣ ደሴት፣ ጎቦለሚን፣ ጸላም፣ በኣብእ፣ ጊንዳዕ . . . ወዘተ ዝኣመሰሉ ክሳዕ ሕጂ ብገዳም ደብረቢዘን ዝግልገሉ ዘለዉ እዮም።

ኣቦና ኣቡነ ፊልጶስ ድማ ብሕይወት እንከሎ ኣብቲ ገዳም ምስ ኣተወ ናብ ኣምላኹ ዓቢይ ናይ ቃልኪዳን ልመና ኣቕረበ። ኣምላኹ ድማ እትደልዮ ዘበለ ለምነኒ እሞ ክህበካ እየ በሎ። ከምዚ ድማ በሎ ንደቀይ ብጥሜት ኮነ፣ ብጽምኢ ወይ ብማይ ብዝኾነ ይኹን ሽግር ብፍርሃት ኮናት ካብ ኣረማውያን ምኽንያት ካብዚ ደብሪ ከይስደዱ እልምነካ ኣለኹ ንሰኻ እውን ጐይታ ንደቀይ ኣሕሊፍካ ንምርኮ ኣይትሃቦም በሎ። ጐይታ ድማ ዝተመኻየ ዘይተመኻየ ይኹነልካ በሎ። ንደቁ ድማ ከምዚ ይምዕዶም ነበረ። ብምሉእ ዕድሚኦም ክጸሙን፣ ክጽልዩን በዓላት ከኽብሩን እተን ከኽብርወን ዝግባእ በዓላት ድማ ከም ሕጊ ቀኖና ሲኖዶስ ኣዘዞም። ብዝበለጸ ግና በዓላት እግዝእትነ ማርያም ከኽብሩን ስማ ክጽውዑን ውዳሴኣ ክደግሙን ነገሮምን ተላበዎምን። ክሳዕ ሕጂ ጸኒዑ ዘሎ ውን ቀዳመ ሰንበት ከይተንቀሳቐሱን ከይሰርሑን እዩ። ቀልጢፉ ድማ ቤተ መጻሕፍቲ ተኸለ ምስ ኣምላኹ እውን ዓቢይ ቃል ኪዳን ተኣታተወ ካብዚ ዝተላዕለ ኣብዚ ገዳመይዚ ዝመሃርን ዝምህርን ኣይትኽልኣኒ በሎ። ካብዚ ዝተላዕለ ከም እኒ ኣባይ ይስሓቅ ዝመራሒኡ ድማ ጉባኤ ትምህርቲ ፈለገ ሕይወት ተመሥረ ታ። ከም እኒ ኣቡነ ዮውሓንስ ሎጋሜ ደመና ኣቡነ ብጹዕኣምላክ ዝኣመሰሉ እናተማህሩ ብዙኃት ፈረዩ።

ሕንጻ ቤተክርስቲያን እውን ተጀመረ። ኣብ 9ተ ወርኂ ድማ ተፈጸመ ብስም ቅድስት ድንግል ማርያም ከኣኒ ጽላት ቀሪጹ ብ21 ሰነ ቅዳሴ ቤታ ባረኻን ቀደሳን። ናብራ ማኅበሩ እውን ኣጣጢሑ ብዙኃት መጻሕፍቲ ተጻሕፈን ተደረሰን፣ ካብቲ ዘገርም ድማኒ ክሳዕ ሎሚ ዘሎ ብኽብሪ ተዓቂቡ ዝነብር ዘሎ ሽዑ ዝተጻሕፈን፣ ዝተደጎሰን መጻሕፍቲ ብራና፣ ሰማንያ ኣሓዱ መጽሓፍ ጸዳል፣ ዳዊት ብራና፣ እቲ ዘደንቕ ድማ ኣብ ካልእ ዘየለን ዘይርከብን፣ ሽዕኡ ዝሰራሓሉ ዝነበረ መጽሓፍ ሕርግርግ ባሕረ ሓሳብ ኣብዚ ገዳምዚ ተዘጊቡ ምህላዉ እዩ። ኣብ ካልእ እውን ዘይርከብ መጽሓፍ ዝኽሪ ካብቲ ገዳም ዝተመስረተሉ ሒዙ ክሳዕ ሕጂ ዝሞቱ መነኮሳትን፣ ኣርድእትን ዝምዝገቡሉ መጽሓፍ እዩ። ኩሎም እቶም ብብጽዓት ኣብዚ ገዳምዚ ዝተቐብሩ ምእመናን ዝምዝገቡሉ እዩ። ኣስማት ምውታን ዕለተ ሞትን ዝምዝገበሉ እዩ። መዓልታዊ ድማ ኣብ ጸሎተ ዕጣንን ስብሓታት፣ ሰዓታት ዘለሊት በብዕለቱ ኣስማት ምውታን ዝዝከረሉ እዩ። እቲ ገዳም ካብ ዝምስረት ክሳዕ ሕጂ ዝሞቱ ኣበው መነኮሳት ቁጽሮም 134,666 በጺሑ ይርከብ ኣሎ። እዚ ዝገበሩ ድማ እቶም በላሕቲ፣ ጻዕረኛታትን ኣቦታት ገዳም ደብረ-ቢዘን ዘቐምዎ እዩ።

ጻድቕ ኣቡነ ብዙኃት ኣብያተ ክርስቲያናት ተኸለ እዚ ድማ ካብ ብዝኂ ደቁ ዝተላዕለ እዩ። ንሳተን ድማ እዘን ዝስዕባ እየን። ደብሪ - ደሴት - ደንጎሎ (ቤተ-ምርምህናም) ወ.ዘ.ተ. እየን።

ኣብኡ ድማ ብኣቦና ቅዱስ ኣቡነ በኪሞስ ምንኩስና ተቐበለ።

ኣቡነ ፊልጶስ ኣብ መጀመርታ ፍጥረት ብኣጻብዕ እግዚኣብሔር ዝተጻሕፈት ሣልሰይቲ ትእዛዝ (ዘጽ. ፳፥፰–፲/ 20፡8–10) ንመዓልቲ ሰንበት ቅድስቲ ክትሕልዋ ዘክር 6ተ መዓልቲ ዕየ። ተግባርካ ኩሉ ግበር እታ ሻውዐይቲ መዓልቲ ግና ናተይ ናይ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ሰንበት እያ ብኣኣ ንስኻ ፡ ወድኻ ኮነ ጓልካ ግዙእካ ኮነ፡ ግዝእትኻ ማልካ ኮነ ኣብ ውሽጢ ሃገርካ ዝነብር ሰደተኛ ከዶ ዕዮ ኣይትዕየዩ፡ ዝብል ሕጊ ኣብ ገዳሙ ኣቑሙ ንኻልኦት ክርስቲያናት እንተመሃረ ንትምህርቱ ዘይተቐበለ ኣበምኔት ወይ ኃላፊ ገዳም ናይ ዓዲ ቀ ኣባ ማትያስ ዝበሃል ከም ጌጋ ትምህርቲ ኣቕሪቡ ናብቲ ጳጳስ ናይ ኢትዮጵያ በርተሎሜዎስ ዝበሃል ኣብጽሐ። እቲ ጳጳስ ድማ ተቐጢዑ ንንጉሥ ሃጸይ ዳዊት ምስ ነገሮ ንጉሥ ድማ ወተሃደራቱ ልኢኹ ካብ ደብረ ቢዘን ኣምጺኡ ንኣቡነ ፊሊጶስ ኣብቲ ቅድሚ ጳጳስ ከቕሙዎ ኣዘዘ። ከምኡ ድማ ገበሩ እቲ ጳጳስ ተቐዳዲሙ ንምንታይ ንስኻ ካብቲ ንሕና እ ንምህሮ ሓድሽ ትምህርቲ እትምህር ክብል ሓተቶ። ኣቡነ ፊልጶስ ድማ «እሰኩ ንትዋሳእ በመጻሓፍት» እስከ ብመጻሕፍቲ ንዘራረብ ኢሉ ካብ ብሉይ ኪዳን ብዛዕባ ቀዳም ንኽነኽብራ

በእግዚአብሔር ከም ዝተኣዘዝና ኢሉ ምስ ኣረድኡ ንትምህር ቱ ከም ኣባ ማትያስ ክቕበሎ ኣይከኣለን መሊሱ ድኣ ኣጉሃ ዮ።
ኣቡነ ፊሊጶስ ድማ ነታ ዕለት እቲኣ ኣምላኽ ኣኽቢርዋን ቀ ዲስዋን እዩ እሞ ኣምላኽ ካብ ባረኻን ቀደሳን ኣነ ድማ ዘይ ባርኻን ዘይቕድሳን ካብ መን ዓብየ እየ እምበር ጳጳስብምኻ ንካ ዝፈርሃሉ ኣብነት የብለይን።
እንተገበርካ ከኣ ካብ ሞት ሓሊፍካ ትገብሮ ነገር የለን ኢሉ ኣብ ቅድሚኡ ብድፍረት መለሰሉ ኣስዒቡ እውን እንተ ኣ መነ ኢሉ
ኦ ጳጳስ (፬) 4ተ መስፈር ንጽባሕ ንመግቢ ክኾኖም ብዓርበ ኣከቡ፡ ቀዳም ዓባይ በዓል ስለዝኾነት ኣምላኽ ዘኽበሮ ድኣ ኣነ ከመይ ገረ እስዕሮ ከመይ ዝበልኩ ሰብ ድየ፡ ኣነ ልዕለ ትእዛዝ እግዚአብሔር ካልእ ትእዛዝ ዶ፡ ኣሎ እዩ ኦ ጳጳ ስ ሰማዕ ጳጳስ ብምኻንካ ኣይፈርሃካን እየ። ሥላሴ ዘኽበርዎ ኣነ ንምንታይ ዘየኽብሮ፡ እንተኽበርክዎ ከኣ ንነፍሰይ እየዘኽ በር ዘለኹ እምበር ንሥላሴ ኣይኮንኩን ዘኽብር ዘለኹ። ንስኻ ግን ንመን ከም ተኽብር ዘለኻ ኣይትፈልጥን ኢኻ።
ኦ ጳጳስ ስማዕ ኣብ ቤትኩም ሓዊ ከይርከብ ዝበሎ መጽሐፈ ኩፋሌ ስማዕ ብሰንበት ኣይተእቱ ንዝበሎ ከተእቱ ስዒርካ ት ደሊ ኣለኻ። ስማዕ ዎ ጳጳስ ከምቲ ኣብ (ወን. ማቴ. ፮፥1 ፯-፲፰/ 5፡17-18) «ንሕጊ ሙሴ ኮነ ንነብያት ክፍጽም ድኣ እምበር ክስዕሮም ዝመጻኹ ኣይምስልኩም ሰማይን ምድ ርን ክሳዕ ዝሓልፍ ኩሉ ሕጊ'ውን ክሳዕ ዝፍጸም ካብ ሕጊ የ ውጣ ወይ ሓንቲ ሕንጻጽ ከምዘይሓልፍ ብሓቂ እብለኩም ኣ ለኹ» እናበለ ንስኻ ግን ጳጳስ ብምኻንካ ነቲ ዘይሓልፍ ቃ ል ሕጊ ረሲዕካ ናትካ ሓድሽ ሕግን ሓድሽ ሕንጻጽን ብምዝ ራብካ እግዚኣብሔር ጳጳስ እዩ ኢሉ ዝንሕፈካ ኣይምሰልካ ካልኣይ'ውን ስማዕ ኣቦታትና ሓዋርያት ብሲኖዶሶም ነዘ ን ክልተ በዓላት ቀዳምን ሰንበትን ብጥንቃቐ ከነኽብረንን፡ ክ ንቅድሰንን ከም ዘለና ብፍሉይ ቀለም ጽሒፎም ዓቢ ለበዋ ገዲፎምልና ሓሊፎም እዮም። ንስኻ ግን ለበውኦም ገዲፍካ ለበዋ ናይ ሽመትካ ከተረጋግጽ ትደሊ ኣለኻ።
ብድሕሪ'ዚ ኣባ በርተሎሜዎስ ጳጳስ ንቕጥዕኡን ሓዘኑን ክጻወ ሮ ስለ ዘይከኣለ ተቐዳዲሙ ናብ ንጉሥ ዳዊት «እዚ ፊሊጶ ስ ናይ ደብረ ቢዘን ፈላሲ ንትእዛዘይ ስለዝነጸጎ እንታይ ክገ በር» ኢሉ ሓተቶ። ኣስዒቡ'ውን እዚ ፈላሲ'ዚ በቲ ዝበሎ ትም ኢልና እንተርኢናዮ እቶም ካልኦት ድማ ካብኡ ዝገ ደደ ክገብሩ እዮም ምስ በሎ እቲ ንጉሥ ድማ ክሳዕ ንትእዛ ዛትካ ዝቕበሎም ኣብ ልዕሊኡ ዝደለኻዮ ፈጽሞ ኢሉ ምሉእ ስልጣን ሃቦ።
ሽዑ እቲ ጳጳስ ከይትቕተልሲ ቃለይ እንተትሰምዕ ምሓሸካ በሎ ኣቡነ ፊሊጶስ ግን ከምቲ (ሮሜ ፰፥፴፩-፴፱/8፡35-39) ተጻሒፉ ዘሎ ካብ ፍቕሪ ክርስቶስ ዝፈልየና መን እዩ ሕማም ድዩ ሞት ኢሉ ጠቒሱ ዝደለኻዮ ክትገብር ትኽእል ኢኻ ኢሉ መለሰሉ። ኣቡነ በርተሎሜዎስ ግን ነቶም ኣገልገ ልቱ ሓድሽ ቆርበት ኣምጺኹም ብእኡ ጠቕሊልኩም ኣብቲ ዋሂ ፀሐይ ዝበዝሐ ደርብይዎ በሎም።
ንሳቶም ድማ ናብቲ ከም ጓህሪ ዘቃጽል ዝነበረ ረመጨት ደ ርበይዎ። እግዚኣብሔር ድማ መልኣኹ ሰዲዱ ማዕሪኡ ደ መና ሠርዓሉ። ብድሕሪ'ዚ ከም እንደገና እቲ ጳጳስ ሓሪቑ ናብቲ ባሕሪ ክድርብይዎ ኣዘዘ።
ኣቡነ ፊልጶስ ድማ ኣብቲ ቅድሚ ባሕሪ ኮይኑ ጸሎት ገበረ። ነቲ ሓላዊ ባሕሪ መልኣኽ ኣብዶን ኣብቲ ቅድሚ ባሕሪ ኮ ይኑ ጸሎት ገበረ። ካብቲ ባሕሪ ክወጽእ ከኣሓበሮ። እንደገና ነቶም ኩሎም እንስሳታት ክወጹ ኣዘዞም። እንተኾነ ግን ዝወጸ ን ዘይወጹን ነበሩ። ሽዑ ኣቡነ ፊልጶስ ጸሎት ድሕሪ ምጽላ ዩ ኣብቲ ልዕሊ ባሕሪ ካብ ሰማይ ሓዊ መጺኡ ልክዕ ከምቲ ናይ ክረምቲ ዝመስል ዝናብ ካብ ሰማይ ወረደ እሞ እቲ ሐ ጻ ንላዕሊ፡ እቲ ማይ ንታሕቲ ኮነ። ካብታ ባሕሪ ዘይወጸ ፍ ጡር ኩሉ ሞተ። ብሰንኪ እቶም ዝሞቱ ኣብቲ ከባቢ ባሕሪ ዝነበራ ደሴታት ተሃወኻ።
እቶም ሕዝብን ንጉሥን ነዚ ዓቢ ተኣምራት ብምርኣይ ተደነ ቑ።ማለት እታ ባሕሪ ከም ላምባን፡ ክርቢትን ከም ሳዕሪ ክት ውላዕ ስለ ዝረኣይዋ። ብድሕሪ'ዚ ኣቡነ ፊልጶስ ብትምህ ርቱኩሉ ሕዝቢ ስለዝተወከሎ ነርባዕተ ዓመት ዝኣክል ኣብቲ ከባቢ ስለ ቀዳምን ሰንበትን መሀረ። ሃጸይ ዘርኣ ዳዊት እወ ንይቕሬታ ሓቲቱ መንግሥቱ ክባርኽሉ ናብ ቤት መንግሥ

ቱ ዓደሞ ከምኡውን እታ ሰይቲ ንጉሥ እግዚእኃርያ ውላድ ስለዘይነበራ ውላድ ምእንቲ ክትረክብ ንቅዱስ ኣቡነ ፊሊጶስ እግሩ ድሕሪ ምሕጻባ ነቲ ሕጻብ እግሩ ሰተየቶ እሞ ንሃጸይዘ ርአ ያዕቆብ ወለደቶ። ትርጉሙ ከኣ «የቆብ ዘር» «ወዲ ቆቢዕ» ወዲ ፈላሲ ማለት እዩ።

## ቃል-ኪዳን

ንኣቦና ቅዱስ ኣቡነ ፊልጶስ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ምሉእ ቃል ኪዳን ሃቦ ብዝያዳ ኣቡነ ፊሊጶስ ከም ቃል ኪዳን ኣጥቢቁ ንጐይታ ዝሓተቶ እንተ ነበረ «ናይ ገዳመይ ሕግን፡ ሕድነትን ክሳብ ዕለተ ምጽኣት ኣይተፍርስ» ዝብል ነበረ ጐይታ እውን ከም ቃልካ ይኹን በሎ። ንገዳመይ
ሕማም ተላገብ ከይኣትዋ፡ ገዳመይ ብሓዊ ከይትነድድ ሓልዋ ፡ ኣብ ገዳመይ ቆብዕ ምንኩስና ንዝወሰደን ንገዳመይ ዝሓለ ወን ኃጥእ እንተኾነ'ውን ብኽመይ ኢኻ ትርእዮ ኢሉ ሐተ ተ። ጐይታ ድማ ዝባላዕ ሓዊ ኣይቀርቦምን እዩ፡ እንተ ስፍ ርኦም ግን ከም ግብሮም ክብል መለሰሉ።

### ለበዋ ኣቡነ ፊልጶስ ንደቁ

ሽዑ ኣቡነ ፊልጶስ ንደቁ መላእኽቲን ነብሰይ ክወስድዋ ተቐሪ ቦም ኣለዉ እሞ ብድሕሪይ ንዮሓንስ ወደይ ኣበምኔት ወይ ኃላፊ ገዳም እገድፈልኩም ኣለኹ በሎም። ብዕለት ፭ (5) ወርሒ ነሓሴ ክብርቲ ነፍሱ ካብ ሥግኡ ተፈልያ ብኢድ መ ላእኽቲ ናብ ናይ ዘልዓለም ሕይወት ብኽብሪ ዓረገት።
*ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኩላትና ሕዝቢ ተዋሕዶ ኣመንቲ ይሽ ኖን።*

### ካብ ኣቡነ ፊልጶስ ዘቢዘን ዝተወልዱ ቀዳሞት ዓበይቲ ቅዱሳን ኣቦታት፡-

1. ኣቡነ ዮሓንስ ዘለጐመ ሰማየ

ሀ/ ንኣቡነ ሊባኖስ ዘደብረ ከርቤን ለ/ ንኣቡነ ይስሐቅን

### ዳሕረዎት ካብ ኣቡነ ፊልጶስ ዝፈረዩ

2. ኣቡነ ይስሐቅ ንኣቡነ ኣሮን
    1. መምህር ገብረ ኣምላኽ ኣቡነ ማርቆስ ናይ ምሉእ ኤርትራ ሊቀጳጳስ ቀዳማይ
    2. ኣቡነ ጎርጎርዮስ ሊቀጳጳስ ናይ ኢትዮጵያ (ጅማ) ዝነበሩ
    3. ኣቡነ ቄርሎስ ኢልባቦር ጳጳስ ዝነበሩ
    4. ኣቡነ ዮሓንስ ጳጳስ ዘመቀሌ ንቡረ እድ
    5. መምህር ተወልደብርሃን ኣቡነ ፊልጶስ 1ይ ፓትርያርክ ዘኤርትራ
    6. ኣባ ገብረእግዚኣብሔር ኣቡነ ኣትናቴዎስ ጳጳስ
    7. ኣባ ማኅፀንተ ማርያም ኣቡነ ሲኖዳ ጳጳስ

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ጻድቕ ቅዱስ ኣቡነ ብፁዕ ኣምላኽ ዘደብረ ምዕዋን ወዘኮዳዱ ዞባ ደቡብ ኤርትራ

*ወሀሎ ኣሐዱ ብእሲ እምዘመደ ዓበይት እምነ መኰዳ ወሰሙ ለውእቱ ብእሲ ያፍቅረነ እግዚእ ወሰማ ለብእሲቱ ዘመደ ማርያም ወክሌኤሆሙ ፈራህያነ እግዚኣብሔር በሆኑ ፍጹማን* "ነሌ መኾዳ" ካብ ዝተባህለ ዓሌት እምኒ ጸሊም ጽልማ ብኹሉ ክብሮም ከም ኣብርሃምን ሳራን ቡሩኺት ዝኾኑ እዮም። ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ያፍቅረና እግዚእ ብሕልሚ ተገሊጹ። ተንሥእ ንብዙሓት ሰባት ብትምህርቱን ግብሩን ሕይወት ዝህብ ውሉድ ክትወልድ ኢኻእቲ እትወልዶ ሕፃን ከም ዮሓንስ መጥምቕን ከም ናይ ኤርምያስ ነቢይን ካብ ማህፀን ኣዲኡ እንከሎ ዝተመርጸ እዩ። ብድሕሪ እዚ ብዕለት ፩ (1 ታሕሣሥ ፲፬፻፳፬/ 1424 ተጸንሰ። መስከረም ፲፬፻፳፭/ 1425 ዓ.ም ግእዝ ከኣ ተወል ደ። ኣብ ግዜ ሕፃንነቱ እቲ ቅድም ንያፍቅረነ እግዚእ ብፁዕ ወዲ ክትወልድ ኢኻ ኢልዎ ዝነበረ ሕጂ'ውን እንደገና ከ ምዚ በሎ ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ዝነገርኩኻ ኣርዑት መስቀለይ ዝጸውር ክኸውን እዩ እሞ ካብ ኣሕዋቱ ፍለዮ በሎ። ብ ድሕሪ'ዚ ያፍቅረነ እግዚእ ነቲ ሕፃን መንፈሳዊ ትምህርቲ ክ መሃር ናብ ደብረ ቢዘን ውሰዶ ዝብል ቃል መጽኣ። ወ ዲ ፰ (8) ዓመት ምስ ኮነ ኣባ ሠረቀ ብርሃን ኣበምኔት (ኃላፊ) ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ኣብጽሖ ማለት 1433 ዓ.ም። ያፍቅረነ እግዚእ ብዝኾነ ምክንያት ካብ ዓዱ ብስደት ኣብ ጣ ጥያ ዝተባህለ ዓዲ እናተቐመጠ ከሎ እዩ ተወሊዱ።

ናይ ዘመደ ማርያም ኣብ ግዜ ሕርሳ (ምውላዳ) ዘሕረሰታ ሰበይቲ ኣይነበረትን። ምኽንያቱ ካብ ሰብ ርሒቐም ስለዝነበሩ ብግብረ ኣምላኽን ናይ ቅድስት ድንግል ማርያም ተራዳኢነት ን እያ ሓሪሳ። ያፍቅረነ እግዚእ ንደብረ ቢዘን ክወስዶ እንከ ሎ ኣብ «ፋሉቄ» ዓደርዓዳ ዝተባህለት ናይ ደብረ ቢዘን መኰሳይያት ነበራ እሞ ኣብኡ ምስ በጽሑ እተን መኰሳይያ ት ነዚ ቅዱስ ዝኾነ ሕፃን ሓዲርዎ ዝነበረ መንፈስ ቅዱስ ብምርኣየን ***«ብፁዕ ዝመሀሮ»*** ኢለን ሰመያኡ። ሽዑ ኣብደ-በረ ቢዘን ምስ ተቐበልዎን ብኹሉ መንፈሳዊሥነ-ሥርዓቱ ጽ ቡቕ ምስ ረኸብዎን ተኣምራት'ውን ክገብር ምስ ረኣይዎንኣ ስኬማ ዘመልእክት ይግብኡ እዩ በሉ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ወዲ 15 ዓመት ነበረ ብ1440ዓ.ም ካብ ኣቡነ ፊልጶስ ራብዓይ ዝኾነ ኣቡነ ጴጥሮስ ኣስኬማ ዘመልእክትማለት ቆቢዕ ተቐበ ለ። ድሕሪ ፲፯ (17) ዓመት ማለት ኣብመበል 25 ዓመት ዕድሚኡ 1450 ዓ.ም ኣብ ገዳም ቢዘንተቐመጠ ካብ ኣቡ ነ ይስሐቅ ግብጻዊ «ኣብ ደቡብ ደምባ ምንጭ» መዓርገ ዲ ቁናን ክህነትን ተቐበለ። ድሕሪ 20 ዓመት ካብ ደብረ-ቢዘን ናብ ገዳም ደብረ ዳሞ ከደ። ማለት ኣብ መበል ፳፰ (28) ዓመት ዕድሚኡ ብ1453 ዓ.ም ከኣ 5 ዓመት ተቐመ ጠ ግብረ ምንኩስናን ተግባረ እድን ተማህረ። ኣብ መበል41 ዓመት ብ1466 ዓ.ም ናብ ደብረ-ኮዳዱ ጽልማ መበቁል ዓዱ ጥቓ እምኒ ጸሊም ተመለሰ። ኣብዚ ቦታ'ዚ ን30 ዓ መት ተቐመጠ። እሞ ብጽኑዕ ጾምን ጸሎትን ስግደትን ትሩ ፋትን ንሰብ ጽልማ ቃል ወንጌል እናመሃረ ሕሙማት እናፈ ወሰ ንኣምላኽ ብምስማር ሥላሴ ወረዱሉ። ሓደ መዓልቲዝ ናብ ኣብ ዝተሳእኑ ጸልየልና ምስ በልዎ ጸለየ እሞ ንእሽቶ ደበና መጺኣ ዝናብ ገበረት። ኩሎም ሰብ ጽልማ ድማ ተ ሐጕሱ።

## ብስድርኡም ከም ዝመንኰሱ

1. ያፈቅረነ እግዚእ
2. ጴጥሮስ
3. ጢሞቴዎስ
4. ኣምላኽ መሓሪ

## ካብ ዝገበሮ ተኣምራት

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ምስ ካልኣዩ መነኮስ ግራት እናሃ ለዉ ከለዉ ዓርቢ ምሸት ናብ ቀዳም መቐነይኡም ዝኸውን መግብን ኣስቤዛን ምስ ኣዳለዉ ማለት ንኽልትኤን መዓልቲ ጥራይ ንኽልቲኡም እዮም ዝሕዙ ኣብዚ ግዜ'ዚ ክልተ ኣጋይ ሽ ተቐበሉ። እቲ ካልኣዩ ***« ኦ እጉየ ብፁዕ ኣምላክ በሎሙ ሑሩ እስመ ኣልብነ ዘያስነብተነ ሲሳይ ምስሌነ »*** ኦ ብፁዕ ኣምላክ ሐወ ይ ነዚ ቀዳመ ሰንበት ዘቐኒ መግቢ ስለ ዘይብልና ነዞም መ ጺኦምና ዘለዉ ክልተ ኣጋይሽ ኪዱ በሎም» በሎ። ኣቡነ ብፁዕ ኣምላክ መሊሱ እግዚኣብሔር ክምግቦም ስለዝኾነ ኣይትሸገር በሎም። እተን ዝነበራኦም እንጀራታት ከኣ ፰ (8) እየን ነይረን። ነዘን ሸሞንተ ሽዑ ኣብታ ግዜ እቲኣ ፬ተ ጎብስቲ በልዉ። ቀዳም ከኣ ፬ ጎብስቲ በልዉ። ሰንበት ንግሆ ፬ ጎብስቲ በልዉ። ሰንበት ምሸት ፬ ጎብስቲ በልዉ።
ኣቡነ ብፁዕ ኣምላክ ሰኑይ እቶም ኣጋይሽ ምስ ከዱ፡ ነቲ ካልኣዩ፡ ግብረ ኣምላክ ክትርዳእ እስከ እቲ እንዳሓርጭ ጐዲሉን ኣይጐደለን ምኻኑ ተመልከቶ (ረኣዮ) በሎ።
ክፍት ኣቢሉ እንተረኣየ ከይጐደለ ከምቐደሙ መሊኡ ጸንሐ። እቲ ካልኣዩ “ ኣንታ ብፁዕ ኣምላክ ሐወይ ኩሉ ግዜ ከምዚ እንተኾይኑስ ኩሉግዜ ኣጋይሽ ይምጽኡ” ምስ በሎ ኣቡነ ብፁዕ ኣምላክ ናይ ኣጋይሽ ምምጻእ ዘይኮነስ፡ ኣጋይሽ ክመጽኻ ከለዉ ኣይትጨነቕ” በሎ።
ኣቡነ ብፁዓ ኣምላክ ብመልኣኽ ናብ ሰማይ ዓሪጉ ኩሉ ቦታታት ናይ ጻድቃንን ኃጥኣንን ረኣዮ። ሓደ መዓልቲ ካብ እግዚኣብሔር ፍቓድ ብመልኣኽ ተዋሂብዎ ኣልስ ቅዳሴ ትቐቢሉ ኣብ ሰማይ ቅዳሴ ቀደሰ። ክቐድስ እንከሎ ኩሎም እቶም ናይቲ መቐደስ ሕንፃታት ተሰጥኦ ተቐበሉ። እቶም ኣብታ መቐደስ እቲኣ ቀጕርባን ዝወስዱ መላእኽቲ ግሩማን (ኃያላን) ነበሩ።
ኣቡነ ብፁዓ ኣምላክ ነቲ ዝርእዮ ዝነበረ መልኣኽ እዞም መላእኽቲ ኣስማቶም መነ መን ይበሃሉ ኢሉ እንተሓተቶ “ስመ ዚኣሆሙሰ ኢትሕትት ኣልቦ ዘየኣምሮሙ. . . ዘእንበለ ዘፈጠሮሙ ” ኣስማቶም ኣይትሕተት፡ እቲ ዝፈጠሮም ኣምላኽ እንተዘይኾይኑ ዝፈልጦም የለን።

ኣብቲ ከባቢ መበቁላዊ ዓዱ እምኒጸሊም ኮደዱ ን30 ዓመት ክቕመጥ ከሎ ኣጋዕዝተ ዓለም ሥላሴ ብኣምሳል መኳንንቲ መጽዎ። ኣቡነ ብፁዓ ኣምላክ ካበይ ዝመጽኡ መኳንንቲ እዮም በሉ። ናብ እንዳፈላሲ ድኣ መኳንንቲ እንታይ ክገብሩ መጹ? ናባይ ናብ ድኻ እንታይ ክገብሩ መጹ ኢሉ ተደነቐ። ሥላሴ ከምዝቮኑ ምስ ገለጹሉ ዕለት 26 ሚያዝያ ስለዝነበረ ንሰብ ጽልማ ከኽብሩ ኣስተምሃረ። ክሳብ ሎሚ ድማ ሰብ ጽልማ ከኽብርዎ ይርከቡ ኣለዉ።
ኣብዚ ገዳም እዚ ኣቡነ ብፁዓ ኣምላክ ሓደ ብእንግድዓኡ፡ ሓደ ብኣፍ ልቡ ተሰኪሙ ዝሰግደሎምን፡ ዝጽልየሎም ዝነበረ ክልተ ኣእማን ሓሓሙሽተ ኪሎ (10) ኪሎ ዝያዳ ዝምዘን ንመዘከርታ ይርከብ ኣሎ።

## ኣቡነ ብፁዓ ኣምላክ ንሰማይ ይዓርግ ከምዝነበረ

ንሣልሳይ ግዜ ከኣ ናብ ፳፬ (24) ካህናተ ሰማይ ወሰደኒ ኣብ ቅድሚ ሥላሴ ከኣ ኣቐመኒ እሞ ፍግም ኢለ ወደቐኽ ኣተንሥኣኒ ከኣ ቅድስት ድንግል ማርያም ካብ ፀሐይ ፯ (7) ኢድ በሪሃ መጺኣ ባረኸትኒ ከምዚ ዝብል ቃል ከኣ ሰማዕኩ። «ኣቡነ ብፁዓ ኣምላክ ልኡኽና ንሰኻ ኣብ ዘለኻሉ ምስጋናና ኣይጐድልን እዩ እሞ ንደቐካ ከኣ መሃሮም። ግዜ ሞትካ ቀሪቡ እዩ ቤተክርስቲያን ስራሕ ድሕሪኡ ናብቲ እት ሞተሉ ቦታ ክወስደካ እየ » ዝብል ቃል ሰምዐ። የግዳስ ንዓ ባሕሪ እሳት ሲኦል ከርእየካ እሞ ክትዘምት በለኒ። ባህሪ እሳት ከኣ ኣርኣየኒ «እቶም ዝቐጽዕዎም ኣይደኽሙ እቲ እሳት ኣይጠፍእ፡ እቶም ተባላዕቲ ኣይዓርፉ» ኢለ ኣርኣየኒ። ሽዑ ነቲ መልኣኽ ከምዚ በልክዎ «ከመይ ጌረ ናብዚ ባህሪ እሳት ፡ዚ ክኣቱ እኽእል» በልኹ። « ንኣምላኽ እንታይ ይሰኣኖ በለኒ። እሞ ናይ እሳት ወይ ናይ ነበልባል ምስሊ ዘለዎ ፈረስ ኣምጽኣለይ። ሽዑ ናብቲ እሳት ወረድኩ።
ኣብኡ ዝርከቡ ናይ ስቓይ መሳርሒ ቁጺርካ ክውዳእ ዘይክእል እዩ በለ። ቁጽሪ ናይቶም ሓጥኣን ውን ክፍቀድ ዘይከኣል ግሩም ነገር እዩ። እቶም ኃጥኣን ካብ ስቓይ ዕረፍቲ የብሉምን። ንዘለዓለም ኡይ! ክብሉ ይነብሩ። ትንባኾ፡ ጫት፡ ዕጸ ፋርስ ዝሰትዩ ይእተዉ ድኣ በለኒ።

## ቅዱስ ጻድቕ ኣቡነ ብፁዕ ኣምላክ ሲኦል ከይዱ ከም ዝዘመተ

ሠለስተ ግዜ ንሲኦል ዘመታ ቁጽሪ እቶም ዝሙታት ብፍቕዳ ጸጉሪ ፈረስ
ነበረ። ሽዑ ንምንታይ ናብዚ ባህሪ እሳት መጻእኹ በልኩ። እቲ መልኣኽ ከኣ ኣጆኻ ኣይትፍራሕ በለኒ። ተዝካርካን ዝኽረኻን ማለት ዝተፈላለየ ጽቡቕ ግብሪ ምእንቲስ ምካ ንዝገበሩ ሰባት ናብዚ ኣይኣትውን እዮም በለኒ። እሞ ካብ መጠን ንላዕሊ ተሓጐስኩ። ሽዑ ናብ ቦታይ መለሰኒ። ካብ ምጽሓፍ ገድሊ ኣቡነ ብፁዕ ኣምላክ ገጽ 55-58።

## ካብ ኮዳዱ ጽልማ ናብ ጐደይቲ ደብረ ምእዋን ከም ዝተበገሱ ብ1496 ዓ.ም.

ድሓር ንደቁ በሉ ደቀየ ናይ ሞተይ ቦታ መንፈስ ቅዱስ ብ ዝሓበረኒ ንዑናይ ከርእየኩም በሎም። ንሳቶም ካብዛ ብረኽቲ ሃገር ኣይንኸይድን ክብሉ ጀመሩ። ፍቕድ ኣምላኽ ስለ ዝኾነ ግዲ ኮኖም እሞ ናብ ሃገር እገላ ከዱ። ማለት ናብዛ ሕጂ ጐደይቲ ትብሃል ዘላ ገዳም ወይ ደብረምእዋን። ሰብ ጽልማ «ኣባ ኣባ ናበይ ትሓድገና ኣለኻ» ኢሎም ጨደሩ። ንሰ ኣጆኹም ክምለሰኩም እየ። የግዳስ ቤተክርስቲያን ክሰርሕ ተኣዚዘ ኣሎኹ እምበር ክመጽእ እየ ምስ በሎም ሽዑ ኣፋነ ውዎ እሞ «ምድሪ ውጡሕ» በጽሐ። ሓሊፉ'ውን ኣብታ ገዳም ኣተወ እሞ «ዘመደ ለጌዎን ብኣምሳል ኣርዌ ኮይኑ ዓቢ ሰይጣን ጸንሐ። ብጸሎቱ ከኣ ኣጥፍኡ። ቁመት ናይቲ ተመን ካብቲ ገዳም ክሳብሓሊቦ ይኸውን ነበረ። ማለት ጭር ኡ ኣብታ ዓባይ ኣውሊዕ ሕጂ ቤተክርስቲያን ዘላ ተጠምጢ ሙ ዓዲ ሓሊቦ ማይ ይሰቲ ነበረ። ሽዑ ብዕለት ፲፫ (13) መጋቢት ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶ ስ ሞትካ ቀሪቡ እዩ እሞ ንደቅካ ተላበዎም መዓዶም በሎ። መላእክቲ ብዝማሬን ማኅሌትን ድሕሪ ኩሎም ከኣ በዓለ መ ዝሙር ዳዊት ወዲ እሴይ *“ክቡር ሞቱ ለጻድቅ በቅድመ እግዚ ኣብሔር ”*
እናበለ ብምዝማር መጸ። ሽዑ ንነፍሱ ካብ ሥግኡ ጐይታና ን ኣምላኽናን መድኃኒናን

ኢየሱስ ክርስቶስ ተቐቢሉ ሓቑፉ ስሚሙ ንቅዱስ ሚካኤል ሃቦ። ኣስከሬኑ ክሳብ ሕጂ ኣብ ውሽጢ እቲ ገዳም ኣሎ። (ይርከብ) ነዚ ኩሉ ታሪክ ገድለ ኣቡነ ብፁዓ ኣምላክ ዝጸሓፈ ወዱ ኣቡነ በኵረ ድንግል እዩ።

**<u>ዕረፍቲ ኣቡነ ብፁዓ ኣምላክ</u>**

ኣብ መበል ፸፭ (75) ዕድሚኡ፡ ዕለት ፱ (9) ግንቦት ፡ በ ፲፭፻ (1500) ዓ.ም. ካብዛ ኃላፊት ዓለም እዚኣ ናብታ ዘይትሓልፍ ዓለም ብክብሪ ዓረገ።

ናቱ መተካእታ መምህር (ኣበምኔት) ኣቡነ በኩረ ድንግል ከይኑ ኣብ መጽሓፍ ገድሉ ተጸሒፉ ከምዘሎ ካብ ኣቡነ ብፀዓ ኣምላክ ክሳብ ሎሚ ፺፯ (97) መማህራን በጺሖም ኣለዉ።

ሓደ ካብዞም ዝተባህሉ ዓበይቲ መማህራን ከኣ መምህር ኃይለማርያም ሕጂ ብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ ቄርሎስ ሊቀጳጳስ ናይ ዞባ ደቡብ እዮም።

*ጸሎቱን በረኩቱን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያና ይሁን ኣሜን።*

✠ ✠ ✠

## <u>ታሪኽ ጻድቕ ኣቡነ ዮናስ በዓል ሠለስተ ገዳም ደብረ ጽጌ</u>

እንዳ ኣቡነ ዮናስ ኣብ ከባቢ ሃገረ ሰብከት ዞባ ደቡብ ቆሓይን ዝርከብ ገዳም እዩ። እዚ ገዳም'ዚ ካብ መበል ፲፬ (14 ክፍለ ዘመን) ኣትሒዙ ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ብምፍጻም ዝተፈልጠ ኮይኑ ብዙሓት መንፈሳውያን ኣቦታት ዘፍረየ ጥንታዊ ገዳም ምዃኑ ይፍለጥ። ናይ ኣቡነ ዮናስ ሥጋዊ ትውልዱ ካብ ኣውራጃ ኣጋመ ወረዳ «ዘሩኹሰ» ዝመጸ ኣቦ እዩ። ብዕለት (፪,፲፫፻፹፪/2 ጎዳር 1352 ዓ.ም) ከምዝተወልደ መጽሓፍ ገድሉ ይነግር። ስም ኣቦኡ ንዋየ እግዚእ ስም ኣዲኡ ጊሩተ ማርያም ይባሃሉ። ካብ ወይኒ ወይኒ ይፈሪ ከምዝብሃል እዞም ክልተ ሰብ ቃል ኪዳን ዝኾኑ ወለዱ ብሕጊ እግዚኣብሔር ዝመላለሱ ፡ ኣዝዮም መንፈሳውን ከምዝነበሩ ይዝከር። ኣቡነ ዮናስ ገና ሕፃን ከይኑ ኣብ ጓስነት(ምሕላው) ኣባጊዕ ከሎ ቅድሚ ናብ መንፈሳዊ ቤት ትምህርት ምእታዉ መንፈስ ቅዱስ ገሊጹሉ መዝሙረ ዳዊት ከንብብ ከሎ ከምዚ ኢሉ ብሕፃንነቱ ናብ መንፈሳዊ ሕይወት ኣቢሉ ኣድህቦ ስለ ዝነበሮ ናይ ምናኔ መንፈስ ሓደሮ። ሽዑ ነቲ ኩሉ ናይ ዓለም ነገር ንድሕሪት ገዲፉ ካብቲ ዝተወልደሉ ሃገር'ውን ርሒቑ ናብ ዞባ ደቡብ ከባቢ ዓረዛ ምድሪ ወዲ ሰበራ ኣብ እትርከብ ደብረ ሲና እትበሃል ኣተወ። ኣብዛ ዝተጠቕሰት ገዳም ብሥጋ ኣኩኡ ዝኾነ ኣቡነ ድምያኖስ ዝተባህለ ባሕታዊ ረኸበ። ብሓደ ውዒሎም ምስ ሓደሩ ድማ ምርጫኡ ንምናኔ ምዃኑ ምስ ተረድኡ መጽሓፈ መነኮሳትን ሥርዓት መንኩስናን ከምኡ'ውን ብሉይን ሓዲስን መሃሮ። እዚ ዝተጠቕሰ ትምህርቲ ኣጽንዑ ወዲኡ ኣብ መበል ፲፱ / 19 ዓመት ዕድሚኡ ብ፲፫፻፷፩ / 1371 ዓ.ም ብኢድ ኣቡነ ድምያኖስ መዓርገ ምንኩስና ተቐበለ። ብድሕሪ'ዚ ሕጊ ብሕትውና ብምኽታል ለይቲ ለይቲ ጠላቒት ኣብ ዝተባህለት ቀላይ እናኸደ ክጽሊ ከሎ መዓልቲ መዓልቲ ከኣ ኣብ ጸምን፡ ጸሎትን፡ ስግደትን ይውዕል ምንባሩ መጽሓፍ ገድሉ ይነግር። ተጋድሎ ብሕትውናኡ ድማ ንነዊሕ ዓመታት ከምዚ ኢሉ ቀጸለ።

መጽሓፈ ገድሉ ከም ዝሕብሮ ድማ ኣብ ሕይወቱ ብቕዓት ስለ ዝተራእየ ኣጻብዕ ኣእዳዉ ልክዕ ከም ጥዋፍ(ሽምዓ) ዝበርህ ኮነ። ብዛዕባ ጸምን መግብን ዝምልከት ፩ (ሓሙሽተ) ፍረ ዳዕሮ ወይ ፍረ ዓየ እንተዘይኮይኑ ካልእ ማልእ መግቢ ፈጺሙ ኣይጥዕምን ነበረ። ኣብ መጽሓፈ ገድሉ ተጸሒፉ ከም ዝርከብ ሓደ እዋን ኣብ ጸሎት ተመሲጡ ክጽሊ እንከሎ «ሰላም ለከ ኦ ፍቁርየ ዮናስ» ዝብል ኣምላኻዊ ድምጺ ሰምዐ። እቲ ድምጺ፡ ቀጺሉ ናብ ሰብከተ ወንጌል ተዋፊሩ ክምህር ከምዘለዎ ተዛረቦ። «ወይኩን ፍቃድከ» ብምባል ከኣ ትሕት ኢሉ ተኣዘዘ። ከምዚ ኢሉ ከኣ ብስብከቱ ብዙኃት ሰባት ኣሚኖም ኣጠመቐ። ምውታት ብምትንሣእ፡ ሕሙማት ብምፍዋስ፡ ኣጋንንቲ ብምውጻእ፡ ብኽምዚ መልክዕ ከኣ ሓዋርያዊ ኣገልግሎቱ ቀጸለ። እቲ ብሕይወተ ሥጋ ከሎ ዝጥቀመሉ ዝነበረ መስቀል ናይ ኢድ ሎሚ'ውን ኣብቲ ገዳም ተረኺቡ በዚ መስቀል'ዚ ዝተጠምቐ ማይ ጸሎት እና ተሓጽቡ እናሰተዩ ካብ ዝነበሮም ሕማም ዝፍወሱ

ሕዝቢ ቁጽሪ የብሉን። ወይ ከኣ ሽዑ ከምዝመውት መጽሓፍ ገድሉ ይነግር። ቅዱስ ኣቡነ ዮናስ ከምዚ ኢሉን ኣምላኹ እ ናኣገልገለ ምስ ነበረ ከምቲ ኝኩላቶም ኣስመርቲ እግዚኣብሔ ር ዝወሃቦም ቃል ኪዳን ተዋሂቡ ብ፰/ 8 መጋቢት ብ፲፬፱፭ / 1451 ዓ.ም ኣብ መበል ፺፭ / 95 ዓመት ዕድሚኡ ካ ብዛ ሓሳዊት ዓለም ነፍሱ ብኢድ መላእኽቲ ናብ ሰማይ ዓ ረገት ድሕሪ ምቕባሩ ድማ ኣብ መቓብሩ ዘይቲ ፈልፈለ፡ ብእኡ ከኣ እቶም ደቁ ንመብራህቲ ይጥቀሙ ነበሩ። እቲ ኣብ መቓብሩ ዝነበረ ላህላህታ ናይ ዘይቲ ድማ ክሳብ ሎ ሚ ምልክቱ ኮይኑ ይርአ ኣሎ።

ኣቡነ ዮናስ ዝጽልየሉ ዝነበረ በዓቲ ኣብ ውሽጡ ስፍሕ ዝበለ ኮይኑ መቓደስን ቅድስተ ቅዱሳንን ቤተልሄምመቓመጢ ንዋየ ቅድሳትን ዘጠቓልል ኮይኑ ክሳብ ሕጂ ኣሎ። ኣቡነ ዮናስ ንገዳም ደብረ ድሁኃን ዝገደመሉ ዓ.ም ብ፲፬፷፰/ 1428 ዓ.ም እዩ።

እዚ ገዳም'ዚ ኣቀማምጣ ቦትኡ ጸኑዕ ስለዝኾነ ብወረርቲ ከይ ጥቃዕ ብዙሕ ዘፍርህ ኣይኮነን እዚ ጽንዓት'ዚ ስለዘለዎ ብዙ ሓት ብኽብሪ ዝጥመቱ ናይ ሃይማኖትን ታሪኽን ናይ ፍልስ ፍናን ንመጻሕፍቲ ዝዓቀበ ገዳም እዩ። ኣቡነ ዮናስ ዝመ ሥረቶ ደብረ ሣህል ዝተባህለ ኣብ ከባቢ ምድሪ ወዲ ሰበራ ገዳም ምንባሩ ይዝንቶ። ብናይ ሓዊ ምንዳድ ሓደጋ ኣጋጢ ምዎ ነበረ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ብሕይወት ዝንቀሳቐሳ ዘለዋ ገዳማት ግን እዘን ዝስዕባ ክልተ ገዳማት እየን። ንሳተን ከኣ፡ –

1. ደብረ ድሁኃን ቆሓይን 2. ደብረ ጽጌ ትምዛእን'የን።

እዘን ክልተ ገዳማት ዚኣተን ዋላ እኳ ብቕጽሪ ክልተ ይባሃ ላ እምበር ሕገንን ቅዋመንን፡ ሥርዓተንን ኣበምኔተንን፡ ምም ሕዳረንን ሓደ እዩ።

ካብዘን ኣብ ኤርትራ ዝርከባ ገዳማት ካብ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎ ስ ዝውለዳ ዘበላ ማለት ደቁን ደቂ ደቁን « *ዮም ውሉዱ ኩልክ ሙ ብፍሥሓ ኃቢረክሙ ለኤዎስጣቴዎስ ኣቡክሙ ግበሩ ተዝካሮ እንዘ ትብሉ ውዳሴሁ ኣማን ፍጹም ምንኵሰናሁ።*» ብዝብል ለበዋ መሠ ረት ብምግባር ብዕለት ፲፰/ 18 መስከረም ብሓባር ኣብዚ ናይ ኣቡነ ዮናስ ገዳም ደብረ ጽጌ ብምእካብ ክሳብ እዚ ቀረባ ግዜ የብዕላ ነበራ።

እዚ ማለት ድማ «ሎሚ ኩልኹም ደቂ ብሓባር ተሓጉስኩም ነቦኹም ኤዎስጣቴዎስ ምንኵስንኡ ፍጹም'ዩ እናበልኩም ወደ ኵስዎ። ዝኸበረ በዓሉ ከኣ ግበሩ» ማለት'ዩ። በዚ መሠረት'ዚ ድማ ካብ ኩለን ገዳማት ኤርትራ ብፍላይ ደብረ ጽጌ ይ ኸብር ነበረ። ብዝተረፈ ገዳም ደብረ ድሁኃን ሕጂ እውን እቲ ናይ ቀደም ዝነበረ ክብሩ ዓቂቡ ዝጐዓዝ ዘሎ ዓቢ ገዳ ም እዩ። ኣብ ካልኦት ገዳማት ክርአ ዘይክእል ኣብዚ ቅዱስ ገዳም'ዚ ኣዝዮም ብዙሓት ዝኾኑ ተማሃሮ ክፈርዩ ይረኣዩ ነበሩ። ብፁዕ ሊቀ ጳጳሳት ኣቡነ ያዕቆብ'ውን ካብዚ ገዳም'ዚ ዝተወልዱ ወዲ ኣቡነ ዮናስ ስለዝኾኑ ብፁዕነቶም ብዝገበር ዎ ጻዕሪ ሓደ መዘክር(ሙዝየም) ዝኸውን ኣዳራሽን ጠሓኒት ማኪናን ብምስራሕ ዓቢ ገዳም እዩ። ካብኡ ዝተረፈ ከምቲ ኣብ ካልኦት ገዳማትና ዝርኤ ዘሎ ጸገማት እዛ ገዳም እዚ ኣ እዋንነት ዘሎ ጸገማት ርኡይ'ዩ። እንተኾነ ገዳማት ኣብ ርእሲ'ዚን ኣቀራርባ ዘመናት ሙሉእ ኣበርክቶ ዝጸንሐ ሓ ዋርያዊ ኣገልግሎት ናይ ታሪኽና ማዕከል'ውን ስለዝኾና እቲ ናይ ላዕለዋይ ዝኾነ ናይ ንድሕነት ገዳማት ዝብል ዕቑ በ ኣቓልቦ ክገብረለን ግዜይሓትት ኣሎ።

***ጸሎቱን በረኽቱን ይሓልወና ኣሜን።***

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ጻድቕ ቅዱስ ኣቡነ ሴት ደብረ ሓዋርያት (ዓዲ ቂታ)

ገዳም ደብረ ሓዋርያት (ዓዲ ቂታ) ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ከባቢ ዛይደ ከሎም ይርከብ። ናይ'ዚ ገዳም'ዚ ጻድቕ ኣቡነ ሴት ይበሃል። ወለዱ ከኣ ኣቦኡ ተኣማኔ እግዚኣ ኣዲኡ ሥርወ ድንግል ይበሃሉ። ዓዱ ከኣ ትግራይ ወረዳ ቡር ኢትዮጵያዊ እዩ። ብመዓርገ ምንኩስና ካብ ኣቡነ ቴዎድሮስ ርሒብ ባይታ ኣድያቦ እዩ ዝውለድ። ኣብዚ ዝተሰምየ ቦታ ብ፲፬፵፬/ 1444 ዓ.ም ብብሕትውና ክቕመጥ

እንከሎ ንጉሥ ዘርአ ያዕቆብን ሠራዊቱን ሕማም ተላገብ ስለ ዝወድኦም ብዙሕ ተጨነቐ።
ካብ ሓደ ሓደ ሰባት አቡነ ሴት ዝበሃል ብቐዕ ጻድቕ አሎ'ሞ ንሱ ኣብዚ አምጺእካ ጸሎት እንተዝገብረልካ እዚ ሕማም'ዚ ምጠፍአ ዝብል ዘረባ ሰምዐ'ሞ አስታት ፴ (30) ሰብ ፈረስ ለአኸሉ። እቶም ልኡኻት ኣብ አቡነ ሴት በጺሖም መልእኽቲ ንጉሥ ነገርዎ። ንሱ ከኣ ብትሕትና እሺ እንተ ተኻእለንስ ምሳኹም እኸይድ ብምባል ምስቶም ዓ ቀይቶት ተበገሰ ናብቲ ንጉሥ ዘለዎ ኩተማ ኣትዩ ምስ ንጉሥ ተራኸበ። ብዛዕባ እቲ ዝተጸውዓሉ ጉዳይ ከኣ ተዘራረቦ አቡነ ሴት ብዙሕ ጸልዩ ነቲ ኩተማ በርባዕተ መአዝኑ (ኩርናዑ) ባረኾ። ንግዚኡ ከኣ ኩሎም ሕሙማት ሐወዩ፣ ዐቲ ዝተገብረ ተአምራት ንጉሥ ክድነቕ ከሎ አቡነ ሴት ብደመና ተወጢሑ ንገዳሙ ተመልሰ።
ኃኻልአይ ጊዜ ከኣ ንጉሥ በእደ ማርያም ብድሕሪ ዘርአ ያዕቆብ ዝነገሠ እታ ኩተማ ለይተ ለይቲ ብምልእታ ብዘይተፈልጠ ምኽንያት ክትብህርርን፣ ክትሃድምን ተሐድር ነበረት፣ ንጉሥ በእደ ማርያም ከኣ ዝገብሮ ጠፊእዎ ተሸገረ። ካብ ወተሐደራት ዘርአ ያዕቆብ ነቲ ናይ ቅድም ዝተገብረ ተአምራት ብሰፊሑ ኣዘንተወሉ ብሕቡእ ንአቡነ ሴት ዘምጽኡ ልኡኻት ስደደ። ኣብዚ ዝተጠቐሰ ገዳም ደብረ ሐዋርያት ምስ በጽሑ መልእኽቲ ንጉሥ ነገርዎ።
አቡነ ሴት ከኣ ብትሕትና ሕራይ ኢሉ ምስኣቶም ተበገሰ። ብድሕሪ ናይ ሓደ ወርሒ ጉዕዞ ኣብታ ኩተማ ናይ ንጉሥ ኣተወ'ሞ ንጉሥ ከኣ ኣዝዩ ተሐጐሰ። ኩሉ ጸበባኡን ሽግሩን ንአቡነ ሴት ነገሮ። አቡነ ሴት ከኣ ምሉእ ለይቲ ናብ ኣምላኹ ክጽሊ ሐዲሩ ንጉሆ ተንሢኡ ብስም አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሐደ ኣምላኽ ነታ ኩተማ እናዞረ በርባዕተ መአዝን ብመስቀል ባረኻ'ሞ ካብ ምብህራርን ምህዳምን ደሐነት። ህድአት ረኺባ ከኣ ዝግ በለት። ንጉሥ በእደ ማርያም ከኣ ብጸሎት አቡነ ሴት እናተገረመ እንታይ ህያብ ከበርክተሉ እየ ኢሉ እናሐሰበ ከሎ አቡነ ሴት ከይተፋነዎ ብሠረገላ ደመና ንገዳሙ ተመልሰ። ሥነ ጽድቂ አቡነ ሴት ከኣ ኣዝዩ ገነነን ተወርየን።

## ኣቡነ ሴት ንደቂ ዝሃቦ ለበዋን ሓደራን

አቡነ ሴት በቲ እዋን'ቲ ኣዝዩ ሽማግለ ነበረ ናብ ሞት ምስ ቀረበ አርድእቱ ጸዊው ኣነ ካባኻትኩም ብሞት ክፍለ እየ። ንሸኻትኩም ግና ብመንፈስ ቅዱስ ጽንዑን ነሐድሕድኩም ተፋቕሩን ካብ ጸብኣ ሰይጣን ተሐለዉን እናበለ ባረኾም። አቡነ ሴት ከዊነ እሳት ስለ ዝበጽሐ። ኣጻብዕ አእዳዉ ከም ጥዋፍ የብርህ ከምዝነበረ ገድሉ ይነግር። ብዙሕ ገድልን ትሩፋትን ፈጺሙ ከኣ ብ፳፬ / 24 ሕዳር ፲፬፻፸፬/ 1474 ዓ.ም ኣብ መበል ፭፻፴/ 130 ዓመታት ዕድሚኡ ዓረፈ። ኣብ ደብረ ሐዋርያት (ዓዲ ቂታ) ከኣ ተቐብረ። ኣብዚ ዝተቐበረሉ ገዳም ካልኦት ዝተቐበሩ ቅዱሳን'ውን ኣለዉ። ንሳቶም ከኣ፡- አቡነ ማቴዎስ፣ አቡነ ሮማኖስ ዝተባህሉ አለዉ። ኣብኡ ማየ ጸሎት ፈልፈሉ ሕሙማት ዝፍውስ ኣብ መቓብሮም አሎ።
ከም ኣብነት ዘገርም ድማ አቡነ ሴት ዝተወልደሉን ዝመንኰሰሉን ዝዓረፈሉን ፳፬ (24) ጎዳር እዩ። ገድሉ ከምዝሕብሮ ድማ ኣገልግሎቱ ምስ ካህናተ ሰማይ ነበረ። ዕረፍቱ ከኣ ካህናተ ሰማይ ኣብ ዝኸብሩሉ ዕለት ንምኻን ዘገርም እዩ። ገዳም አቡነ ሴት ሕጂ ዘለዎ ኩነት ኣብ ገጠር ተለዊጡ ብካህናት እዩ ዝግልገል ዘሎ። ገዳም ዝመሐደረሉ ትካል የለን። ንሽሙ ነተን ካብ መንግሥቲ ዝልገሳ ወርኃዊ አበል እየን፣ ሐደ መምህር ተባሂሉ ዝኾነ መነኮስ ኣዳሊኻ ዝካየድ ዘሎ። እዚ ኣሠራርሓ'ዚ ከኣ ዳርጋ ኣብ ብዙሓት ብስም ገዳም ኮይነን ብሕጋውያን ካህናት ዘግልገላ ዘለዋ ገዳማት ተባሂለን ዝስመያ ናይ መቕነን ሐድነት ዘየጣጥሐ ብሥርዓተ ጳኩሚስ ዘይተሠርዓ ሐንቲ ካብኣተን እያ። ገዳም አቡነ ሴት ቅድሚ ገለ ዓመታት ኣቢሉ ምዕቡል ገዳም ከምዝነበረ ይንገር እዚ ከኣ ብኣዝማች ፍቅረየስ ምስሌነ ወረዳ ዛይደ ኮሎም ጊዜ እዩ። ኣዝማች ፍቅረየስ ግኑን ኣማሐዳሪ ስለ ዝነበረ ነዚ ገዳም አቡነ ሴት ዝመሐደረሉ ርስቲ ፈልዩ ማይ እንዳ ህበይ ዝርእሱ መረብ ቡቱ ዝእግሩ መንፈሳዊ ሰበኻ ጉባኤ ብገዳም ደብረ ሐዋርያት ከምዝውነን ዕኑዕ ትእዛዝ ኣተሐላሊፉ መሰሉ ተሐልዩ ብዙሓት ገዳማውያን

ደቂ ማኅበር ሐቀኑ ምዕቡል ምትሕድዳር ከምዝኅበሮ ይትረኽ። ካብ እምነት ክርስትና ወጻኢ ዝኾኑ ጸላእቲ እናወረሩ ላሕ ምስ አበልዎም ንሐለዋ ክጠቕሙና ብማለት ዘጸግዕዎም ምእመናን እቶም ፈለስቲ ብሞት ክፍለዩ ከለዉ እቶም ምእመናን ከኣ እናተፋረዩ ስለ ዝኾዱ እቲ ገዳም ኣብ ገጠር ተለዊጡ እምበር እቲ ገዳም ጥንታዊ ከምዝኾነ ኣብ ላዕሊ ከምዝተገልጸ እዩ። ደብረ ሐዋርያት (ዓዲ ቂታ) ሐረግ ትውልዱ ካብ ኣቡነ ቴዎድሮስ ርሒብ ባይታ ኣድያቦ ስለ ዝኾነ መንፈሳዊ ርክቦም ምስኦም ስለ ዝነበረ ሐደ ሐደ መነኮስ እናኣምጽኡ ይጥቀሙ ነበሩ። በረኸት ኣምላኹ ንኣቡነ ሴት ምስ ኮላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን። ኣሜን።

✠ ✠ ✠

## ታሪክ ጻድቕ ኣቡነ ዕንቈብርሃን ዘገዳመ ኣንገብ ደቂ ሽሓይ ዓንሰባ

ቅዱስ ኣቡነ እንቈ ብርሃን ናይ ምንኩስና ኣቡኡ ኣቡነ ተክለሃይማኖት ዘወገሪቆ ሊባን እዩ። ንኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ገዳም ጻዕዳ እምባ ቅድስት ሥላሴ ከኣ ኣቡኡ እዩ። ኣቀዲሞም ውን ንኡም ዝተባህሉ ሰማዕታት ሮማውያን ኣብኡ ባሕትዮም ዓጽሞምውን ኣብኡ ብምህላዉ ዝተዳራረበ ክብሪ ዘለዎ ቅዱስ ቦታ እዩ። ስለዚ እዚ ገዳም እዚ ዋላ እኳ ሕጂ መነንቲ መነኮሳት ኣይሃልውዎ እምበር ንገዳም ጻዕዳ እምባውን ዝወደታ ብምኹና ወለዲት ዓበይቲ ቅዱሳን እያ። ቅዱስ ኣቡነ ዕንቈ ብርሃን ብብዝሑም ክቀጸሩ ዘይክእሉ መነኮሳት ኣመንኩሱ፣ ብስብከተ ወንጌል ካብ ሓማሴን ክሳብ ባርካ፣ ሣሕል፣ ሓባብ፣ ቦጐስ፣ ሰንሒት፣ ሓልሓል፣ ናግራን እናዞረ ሓዋርያዊ ተልእኮ ብምፍጻም ንብዙሓት ሕዝቢ ምሂሩ ዘእመነን ዘጠመቐን ኣቦ እዩ። በቲ ብብዝሒ ዘጣምቐ ዝነበረ ሕጂ ኣብቲ ቦታ “ሩባ መጠመቒ” ዝተህለ ሩባ ኣሎ። ኣቡነ ዕንቈ ብርሃን ክልተ ታቦታት ቀሪጹ ገዳም ገዲሙ ንሕዝቡን ደቁን ብግቡእ ይጓሲ ነበረ። እተን ታቦታት ሓንቲ ብስም መድኃኔዓለም እታ ካልኣይቲ ብስም ሰማዕታት ንኡም ሮማውያን እየን። ኣብ ከባቢ እዚ ገዳም እዚ “ተረኺባ” ዝብሃል ቦታ ኣሎ ንሱ ከኣ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ናብ ኣቡነ ዕንቈ ብርሃን ወዳ መጺኣ ተራኺባቶ ባረኻቶ ስለ ዝተሠወረት እዩ። ካልእውን ቦታ ጻድቃናት እትብሃል ኣላ እዚኣውን ኣቡነ ዕንቈ ብርሃን ንኼ (7) ዓመት ዝኣክል ዝጸለየላ እያ።

### ካብ ዝገበሮ ተኣምራት ብኽፊል

- ኣብ ትሕቲ ቤተ መቕደስ ብሽነኽ ምብራቕ ንኹሎም ሕሙማት እትፍውስ ማየጸሎት ኣላ።
- እግዚኣብሕር ንኣቡነ ዕንቈብርሃን ካብ ሰማይ ወርቂ መስቀል ሃቦ
- መቓብሩ ኣብ ሓንቲ ከውሒ ቤተመቕደስ ዝነበረት ብፍቕደ እግዚኣብሔር ተኽፊታ ንዕኡ ተቐቢላ ብዘይሓመድ ብፍቕድ እግዚኣብሔር ከኣ ተዓጽወት።
- መሓመድ ግራኝ ኣብያተ ክርስቲያንን ንዋያተ ቅድሳትን ታቦታትን ኪቃጽል ከሎ እዛ ገዳም እዚኣ 67 ታቦታት ካብ ምቅጻል ኣድኃነት።

### ቃል ኪዳን

ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ በቲ ዘይሕሶ ቃሉ መዘኸርታኻ ዝገበረ ስምኻ ብእምነት ዝጸውዐ፣ ንጥሙይ ዘብልዐ፣ ንጽሙእ ዘስተየ፣ ቤተክርስቲያንካ ዝሃነጸ፣ ዝተሳለመ፣ ዝነገደ፣ ብስምካ ኣምኃ፣ ሞባእ ዝሃበ፣ መጽሓፍ ገድልኻ ዘንበበ፣ ዝሰምዐ፣ ዝተርጐመ፣ ዝጻሕፈ፣ ዘጽሓፈ፣ ናይ ዘለዓለም መንግሥተይ ከውርሰ እየ። እግሩ ዝሓመመ፣ ከንፈሩ ብለምጺ ዝዓዕዳወ፣ ኩለንትናኡ ዝደወየ ብቃል ኪዳንካ ኣሚኑ ካብ ጸበልካ ዝሰተየን ዝተሸየን ክፍውሰልካ እየ ዝብል ጽኑዕ ቃል ኪዳን ሃቦ።
ክብረ በዓል ናይዚ ቅዱስ ቦታ እዚ ዕለት ፳፱ ጥቅምቲ ኣቡነ ዕንቈ ብርሃን ዝዓረፈሉ፣ ዕለት ፳፬ ሕዳር በዓል ሰማዕታት ንኡም ሮማውያን ኣብ ታቦተ መድኃኔዓለም ኅቦ ዝባን ኣንገብ ብምኻድ ዓመት መጸ ብያሬዳዊ ማኅሌትን፣ ቅዳሴን እናዕረጉ ሕዝቢ ደቂ ሽሓይ ብዓቢ ክብሪ እናኣብዓልዎ ይርከቡ ኣለዉ።

ሓረገ ትውልዲ ኣቡነ እንቄ ብርሃንን ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤልን

፩. እንጦንስ
፪. መቃርስ
፫. ጳኩሚስ
፬. ኢላርዮስ (ጳላሞን)
፭. ኤስድሮስ
፮. ቴዎድሮስ
፯. አረጋዊ ዘዳሞ
፰. ማትያስ
፱. ዮሴፍ
፲. መስቀልቤዛነ
፲፩. መድኃኒነ እግዚእ ቀዳማዊ
፲፪. መስቀል መዋዒ
፲፫. ዮሐኒ ካልኣይ
፲፬. ኢየሱስ ሞዓ
፲፭ ተ/ሃይማኖት ወለገብረዋህድ ማኅቶት
፲፮. ገብረ ዋህድ
፲፯. ኖላዊነ ጎር ዘቤተቂርቆስ ካልኣይ
፲፰. ተ/ሃይማኖት ፀሓይ ዘሸዋ
፲፱. ዜና ገብርኤል
፳. ሓራ ክርስቶስ
፳፩. ዕንቄ ሥላሴ
፳፪. ሳዊሮስ
፳፫. ማማስ
፳፬. ኤፍሬም
፳፭. ለባሴ ክርስቶስ
፳፮. ኣሳዕነ ማርያም
፳፯. ሃብተማርያም
፳፰. ጸጋዘአብ
፳፱. ዕቁበሥላሴ ወለተወልደ ሕጻን ኢየሱስ
፴. ተክለ ሃይማኖት ዘወገሪቆ
፴፩. ዕንቄ ብርሃን ዘገዳመ ኣንገብ ደቂ ሽሓይ
፴፪. ሰይፈ ሚካኤል ዘጻዕዳ እምባ

ስለዚ ገዳም ኣቡነ እንድርያስ ስፍኣን፣ ገዳም እንዳ ኣቡነ ኖላዊ - ነሐር ኣድያቦን፣ እንዳ ኣቡነ ዕንቁ ብርሃን ኣንገብ ደቂ ሽሓይን ተክለ ሃይማኖት ሊባን ገዳም እንዳ ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤልን የሕዋት ደቂ ኣቡነ ኣረጋዊ እዮም።

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ጻድቕ ቅዱስ ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ዘፃዕዳ እምባ ቅድስትሥላሴ ዞባ ዓንሰባ

ፃዕዳ እምባ ቅድስት ሥላሴ እንዳ ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል፣ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ሰንሒት ታሕታይ ዓንሰባ ዝርከብ ገዳም እዩ።

ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ዝተወልደሉ ዓዲ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ሐማሴን ነበር ዓዲ ዘርኢ ሠናይ (ደርሰነይ) እዩ። ኣቦኡ ዓ ምደ ሚካኤል፣ ኣዲኡ ከኣ ጎሩተ ማርያም ይበሃሉ። ዝተወልደሉ ዘመን ፲፮፳፯/ 1626 ዓ.ም እዩ። ካብ ቤተሰቡ ብምናኔ ናብ ኣድያቦ ከይዱ ይቕመጥ ምስ ነበረ ኣብ ቤተ ቂርቆስ እንዳ ኣቡነ ኖላዊነ ጎር ካብ ኣቡነ ዕንቁ ብርሃን መዓርገ ምንኩስና ተቐበለ። ብድሕሪዚ ብ፲፮፻፩/ 1651 ዓ.ም ካብ ኣድያቦ ናብ ሃገረ ኤርትራ ተሳገረ፣ እሞ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ሐማሴን ነበር ኣብታ ዝተወልደላ ከባቢ መጺኡ ብ ፲፮፷፷/ 1668 ዓ.ም ንገዳም ፃዕዳ እምባ ኣትዩ ማኅበር ሠሪዑ ሓድነት ሥርዓት ጳኩሚስ መሥረተ።

ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ጽኑዕ ገድልን ተባሕትዎን ሒዙ ይቕመጥ ነበረ።

ገዳም ፃዕዳ እምባ ሥላሴ እንዳ ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ዝተገደመሉ ዘመን ብ ፲፮፸፮/ 1676 ዓ.ም ኮይኑ ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ብኣጽንዖ መካንን ብብርቱዕ ገድልን ድሕሪ ሠናይ እርጋን ኣብ መበል ፺፮/ 96 ዓመታት ዕድሚኡ ብጥቅምቲ ብ፲፱,፲፮፳፪/ 19,1722 ዓ.ም ኣብ ገዳም ፃዕዳ እምባ ኣዕሪፉ ኣብኡ ተቐብረ።

ኣብቲ ገዳም ካብ ዘሎ ተኣምራት ካብ ቋርፍ ዳዕሮ ከም ስዋ ተጸሚቑ ከምጸበል ይስተ'ሞ ብዙኃት ሕሙማት ይፍወሱ፣ ከምኡውን ካብ መካነ መቓበሩ ጸበል ዝሰትዩን፣ ዝልከዩን ምእመናን ብሕማም ዝሳቐዩ ብዙሓት ይሐውዩን ይፍወሱን፣ ደቀ መዛሙርቲ ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ብራሕቂ ማይ ስለ እተሳቐዩን እጨነቑን ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል ኣብ እግዚኣብሔር ኣምላኹ ኣመልኪቱ ካብቲ ጐኒ እቲ ገዳም ካብ ከውሒ ማይ ፈልፈለ'ሞ ሕሙማት ይፍወሱሉ ነበርቲ ገዳም ከኣ ይሰትዩሉን ይጥቀሙሉን ኣለዉ።

ገዳም ፃዕዳ እምባ ኣብ ዞባ ዓንሰባ (ምዕራብ ሐማሴን) ምብራቕ ባርካ ቆላዊ ጠባይ ዘለዎ ቦታ ኮይኑ ኣብ ነዊሕ ዝባን ከረን (እምባ) ይርከብ። ተሪርን ነዊሕን ዓቕበት ደይብካ ህልም ዝበለ ጸድፊ (ገደል) ብኽልተ ወገኑ ዝባን ኣድጊ መሰል ጭንቂ ሐሊፍካ ናብቲ ገዳም ትድይብ። እቲ ገዳም ምስ ወጻእካ ብኹሉ ወገኑ ብጸድፊ ዝተኸበ ማንም ዘየእቱ እዩ። ካብ መሳገሪ ገደል ናብቲ ገዳም ዘእቱ ከኣ ብመንደቕ እተነድቀ መሐለዊ ዓንቀጽ ኣለዎ ንሱ ድማ ብሰላም ንዘይመጽእ መከላኸሊ እዩ።

* ሓረገ ትውልዲ ኣቡነ ሰይፈሚካኤል ዘፃዕዳ እምባ ቅድስት ሥላሴ

1. እንጦንስ 2. መቃርስ 3. ጳኩሚስ

* ካብዚ ኣቦ እዚ ዝፈረዩ ዓበይቲ ኣቦታት፡-

1. መምህር ግርማ ጽዮን ኣቡነ ኣትናቴዎስ ሊቀጳጳስ ናይ ምሉእ ኤርትራ
2. መምህር ተክለማርያም ኣቡነ ዮሓንስ ሊቀጳጳስ ናይ ዞባ ዓንሰባ

***ጸሎቱን በረከቱን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።***

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ጻድቕ ቅዱስ ኣባ ባጥል

ቅዱስ ኣባ ባጥል ካብቶም ዓበይቲ ቅዱሳን ሓደ ኮይኑ፣ ኣባ ዮሓኒ ነገረመስተዋድያን ዝቕበል ምኳኑ ገዳሙ ገዲፉ ከተማ እስክንድርያ ከይዱ ናይ ኩላተን ኣመንዝራታት ብጽሑፍ ሒዙ፣ ምስቶም ሓረስቶት ሸቕሊ ሥራሕ ሰሰሪሑ ነተን

ዝተዋህብኦ ዓተር ገዚኡ ይበልዕ ነበረ። ካብኣተን ቀለቡ ዝኾና ገንዘብ ኣትሪፉ ንሓንቲ ኣመንዝራ ሎሚ ለይቲ ምሳኺ ክሓድር እየ ኢሉ ገንዘባ ሂቡ ብሥጋ ከይተራኸባ ኣብቲ ቤታ ምሉእ ለይቲ ክጽሊ የሓድር፣ ግብሩ ንሰብ ከይትነግረሉ ከኣ የምሕላ። ብኸምዚ መልክዕ እናሸቀለ ዘዝተዋህቦ ደሞዝ ምስተን ኣመንዝራታት ብጸሎት ይሓድር ነበረ ሓንቲ ካባታተን እዚ ፈላሲ እዚ ምሳታተን ከምዘይድቅስ፣ ገንዘቡ ግና ከም ዝህበን ነገረትሉ እሞ መሓላ ስለዝጠሓሰት ጋኔን ሒዝዋ ዓበደት። እቶም ሕዝቢ ብሕሜት ስለዝሓሰወት ዘማዊ እንከሎ ንጹሕ ስለ ዝበለት እዩ ጋኔን ሒዝዋ ትዓብድ ዘላ ምስበሉ። እተን ካልኦት ኣመንዛታት ግና ሓቂ ከይምስክራ ፈርሃ። ንሱ እቶም ሰባት ክሓምይዎ ከለዉ፣ ዘይጋገስ ከም ኩሉ ሰብ ሥጋ እንድዩ ለቢሉ። ወይሲ እግዚኣብሔር ተቈጢዑዶ ንመነኮሳት ብፍትወት ክሞቱ ገዲድዎም እዩ፣ ምስ በሎም። እቶም ዝሓምይዎ በል ሓንቲ ሰበይቲ ተመርዓ ኻ እቲ ናይ እንጦንስ ክዳንካ ኣውጺእካ ምንባር ይሕሸካ ይብልዎ። ንሱ እወ ምስ ሰበይተይ ክነብር እሓስብ እየ ግና እዚ ሕማቐ ግዜ ክሓልፎ እደሊ ኣለኹ ኪድ ካባይ ርሓቑ፣ እንታይ ኢኹም እትደልዩ ዘሎኹም፣ እግዚኣብሔር ዶ ንዓይ ክትፈርዱ ፈራዶ ጌርኩም እዩ፣ እታ ናይ ፍርዲ ግዜ ሓንቲ እያ። እቲ ዝፈርድ ከኣ ሓደ ንሱ እዩ። ስለዚ ንሸኻትኹም ብዛዕባ ርእሸኹም ድኣ ሕሰቡ እምበር በዚ ንዓይ ትፈርዱኒ ዘሎኹም ከኣ ክትፍረዱዶ ኣይኮንኩምን በሎም። እዚ ቅዱስ እዚ ብእግዚኣብሔር ቅቡል ነበረ፣ ብሰባት ግና ንዑቕ ነበረ። እተን ኣመንዝራታት ከኣ ብናቱ ብዙሕ ተጠቕማ፣ ከባታተን ብዙሓት ብሕጊ ተመርዕየን ጽቡቕ ሓዳርን ውላድን ኣጋጢምወን። ገሊኣን ከኣ ዓለም መኒነን ወረስቲ መንግስተ ሰማያት ኾና። ሓደ መዓልቲ ኣባ ባጥል ካብቲ ቤት ኣመንዝራ ክወጽእ እንከሎ፣ ሰብኣይ ንቕዱስ ባጥል “እዚ ኣረጊት ሰብኣይ ክሳብ መዓስ እዩ ኣብ ግብረ ዝሙት ክነብር” ኢሉ ጸፍየ። ቅዱስ ኣባ ባጥል ክመውት እንከሎ ኣብ ከውሒ ከምዚ ዝስዕብ ዝሒፉ ተንበርኪኹ ደቂሱ፣ “<u>እ ሰብእ ዛቲ ሃገር ኢትኮንኑ መነሂ ዘእንበለ ይብጻሕ ጊዜሁ ወዘመኑ</u>” ግዜኡን ሰዓቱን ከይኣኽለ ኣቱም ሰብ እዛሃገር እዚኣ ዋላ ንሓደ ኣይትፍረዱ” ዝብል ጽሑፍ ኣብቲ መድረኽ ቤቱ ዝርከብ ከውሒ ተጻሒፉ ተረኽበ።

- ሰላም ለኣባ ባጥል ጽሩየ ዘተሰምየ፣
- እንበለ ይኩን ሃካየ፣
- አድጎኖተ ዘማት ሶበ ውእቱ ሓለየ፣
- ከመ ኢይግበራ በእንተ ጥራት ጌጋየ፣
- መፍቅደ ዚኣሆን ይሁባ ወይጼጉ ሲያየ።

*ሰንክሳር ዕለት ፲፬ መጋቢት*

*ማር ይስሓቅ ምዕራፍ ፮ ገጽ ፱፱ ካልኣይ ዓምድ*

✠ ✠ ✠

## <u>ታሪኽ ጻድቕ ቅዱስ ኣባ ጽጌ ብርሃን</u>

ኣባ ጽጌ ብርሃን ቀደም ካብ እምነት ሓድሽ ኪዳን ዘይብሎም ወለዲ ኣመንቲ ኦሪት ተወልደ። ናብ ኦሪትን ነቢያትን ምሁር ኮይኑዩ። “ክርስቶስ ኣይተወልደን” በሃላይ እዩ ነይሩ። ኣባ ዜና ማርቆስ ዝተባህለ ዓቢይ ጻድእ ብስብከተ ወንጌል ካብ ቦታ ናብ ቦታ ብምዝውዋር ክምህር ድሕሪ ምጽናሕ ናብ ቦትኡ ማለት ደብረ ብሥራት ተመልሱ ንኼ ዓመት ተቐሚጡ ናብ ኣቐዲሙ ብስብከት ዘይበጽሖ ከባቢታት ክኸይድ ከሎ “እግዚኣብሔር ካብ ድንግል ማርያም ኣይተወልደን” ዝብል ሓደ ኢኣማኒ ሰብ ረከበ።

እግዚኣብሔር ካብ ድንግል ማርያም ከም ዝተወልደ ንከረድኦ ካብ መዝሙረ ዳዊትን ትንቢተ ኢሳይያስን ብሰፊሑ ተካራኸረ። ካብቲ ዝጠቐሰም ጥቕስታት ሓደ “ትወጽእ በትር እምሥርወ እሴይ ወየዓርግ ጽጌ እም ጕንዱ” ካብቲ ከም ክሩት ጉንዲ ዝኾነ ዘርኢ ወንግሥቲ ዳዊት ሓደ ጠጥዒ ክጭብጭብ እዩ። እቲ ካብ ሱሩ ዝጨብጨበ ጨንፈር ከኣ ፍረ ክፈሪዩ ማለት ሓድሽ ንጉሥ ክነግሥ እዩ ዝበሎ፣ ናይ ነቢይ ኢሳይያስ ቃል፣ በትር ዝበላ ድንግል ማርያም እያ። ጽጌ ዝበሎ ከኣ ጕይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ ኢሉ ምስተርገሥመሉ እቲ ኢኣማኒ “ሠናየ ተርጕምከ ለትንቢተ ኢሳይያስ” ነዚ ናይ ነቢይ ኢሳይያስ ትንቢት ጽቡቕ ጌርካ ተርጊ።ምካዮ። እዚ ንባብ እዚ ምስ ተርጉሙ ስለ ስለ

ድንግል ማርያምን ስለ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ወዳን እዩ ናብ ዝብል ከኣ ከም ዝዝንብል ኮነ። ኢሳ ፲፩፥፩-፪ እዚ ኢኣማኒ ዘይኣምን ዝነበረ ሰብ ክኣምንን ክርዳእን ምስ ከኣለ ዝሃቦ ቃል “ሓደ መዓልቲ ናብ ሓደ በረኻ ብሥራሕ ምኽንያት ምስተዛወርኩ ኣብቲ በረኻ ድንግል ማርያም ምስ ፍቁር ወዳ ዝተሳእለትሉ ሥዕሊ ረኸብኩ፡ ናይቲ ሥዕሊ መልክዕን ድባቕን እናጠመትኹ (እናረኣኹ) ክግረም ከለኩ፡ ከምኡውን ከመይ ኢሉ ኸኩሉ ዝፈጠረ እግዚኣብሔር ካብዚ ድኹም ዝኾነ ሥጋ ወዲ ሰብ ክውለድ ይኽእል እናበልኩ ኣብ ጥርጥር እንከሎኹ ሓደ ጻዕዳ ዑፍ ናብታ ዘለኽዋ ቦታ መጺኡ ብናይ ሰብ ኣዛራርባ ቤና ማርቆስ ዝተባህለ መነኮስ ክሳብ ዝመጸካ ነዛ ናይ ድንግል ማርያም ሥዕሊ ሓልዋ” በለኒ። ኢሉ ንቅዱስ ዜና ማርቆስ ነገሮ። ቅዱስ ዜና ማርቆስ ከኣ ኣነ እየ “ንሸኻ ግና እግዚኣብሔር ካብ ሰማያት ምውራዱን ካብ ድንግል ማርያም ምውላዱን እመን” ምስ በሎ፡ እቲ ዘይኣምን ዝነበረ ሰብ ምሁር ናይ ኦሪት ምንባሩ ሓጊዝዎ ብሓደ ወገን (ሸነኽ) በቲ ካብታ ናይ ድንግል ማርያም ሥዕሊ ብዝረኣዮ ተኣምራት። ተኸልእ ወገን ከኣ ካብ ኣቡነ ዜና ማርቆስ ብዝሰምየ መንፈሳዊ ትምህርቲ ሕልንኡ ተመሊሱሉ ኣሚኑ ናብታ ናይ ቅድስት ድንግል ማርያም ሥዕሊ ዘላታ፡ ንኣቡነ ዜና ማርቆስ እናመርሐ ወሰዶ።

ኣቡነ ዜና ማርቆስ ናብታ ሥዕሊ ቅርብ እንትተበለ “ናይ እስክንድርያ ኢለ ጳጳሳት ኣባ ማቴዎስ ዘቐመጣ እያ ዝብል ንባብ ኣብ ልዕሊኣ ተጻሒፉ ዝነበረ ኣንበበ። ሽዑ ነታ ሥዕሊ ብሸነኽ የማና ሥዕሊ ቅዱስ ሚካኤል፡ ዘሎ ኸይኑ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ስለ ንጽሕናኻን ስለ ቅድስናኻን እዛ ናይ ኣደይ ሥዕሊ ሂበካ ኣሎኹ ኣብ ቦታኻ ኣብ ደብረ ብሥራት ተኽብሪ ኣቐምጣ። ኣብ ቅድሚ እዛ ሥዕሊ እዚኣ ኮይኑ ንዝምሕጸንን ዝጽልን ኩሉ ሰብ ካብ መከራ ሥጋን መከራ ነፍስን ክሕልዎ እየ” ኢሉ ንኣቡነ ዜና ማርቆስ ተናገሮ።

ኣቢነ ዜና ማርቆስ በዚ ነገር እዚ ብዙሕ ተሓጕሱ ኣብ ቅድሚ እታ ሥዕሊ እናሰገደ ምስጋና ናብ ኣምላኽ ኣቕረበ ጥቅምት ዕለት ፪ ወርኃ ጽጌ ናብ ደብረ ብሥራት ሒዝዋ ኣተወ። ድሕሪኡ ሰነ ዓለት ፰ ዓቢይ በዓል ገበረላ። ነቲ ዘይኣማኒ ዝነበረ ኣእሚኑ ከጠምቐ እንከሎ እቲ ናይ ዘደም ስሙ ተሪፉ ጽጌ ብርሃን ብዝብል ጸውየ። መጻሕፍቲ ሓዲሳት ብምሉኡ ኣስተምሃሮ። መጻሕፍቲ ነቢያት ግና ብቕድሙ ተማሂርዎ እዩ ኔሩ። ካብዚ ኣተሓሒዙ ናብቲ ዓቢይ ከብሪ ናብ ምንኩስና ከም ዝበጽሕ ገበሮ። ኣባ ጽጌ ብርሃን ከኣ ተባህለ። ድሕሪኡ ኣባ ጽጌ ብርሃን ምስ ኣባ ገብረ ማርያም በዓል ሃንታው ከም ሓደ ልቢ መኻሪ፡ ከም ሓደ ኣፍ ተናጋሪ ኮይኖም ነዚ ማኅሌተ ጽጌ ብመጠን መዝሙረ ዳዊት ብዝሒ ምዕራፋት ሚእትን ሓምሳን ፍቕዲ መልክዕ ጌሮም ደረስዎ። ኣባ ጽጌ ብርሃንን ኣባ ገብረ ማርያምን ወርኃ ጽጌ ክኸውን ከሎ ሓደ ዓመት ኣብ ደብረ ሓንታ ሓደ ዓመት ከኣ ኣብ ደብረ ብሥራት ኣርብዓ ኣርብዓ መዓልቲ ማኅሌተ ጽጌ የብጽሑ ነበሩ። ድሕሪኡ ኣቡነ ዜና ማርቆስ ካብ ቀደም ኣትሒዙውን ኣፍቃሪ ጣዕመ ማኅሌተ ስለ ዝነበረ፡ ንገዳመ ዳንስን ናይ ደብረ ሽዋ ካህናትን ማኅሌተ ጽጌ ከብጽሑ ኣዘዞም። ናይ ማኅሌተ ጽጌ ኣበጻጽሓ ሥነ-ሥርዓት ካብቲ ግዜ እዚ ኣትሒዙ እንሆ ክሳብ ሎሚ ይቕጽል ኣሎ።

*ምንጪ፡- ካብ መልክኡ ጉባኤ ብመጋቤ ኣእላፍ የኔታ ሄኖክ ወልደሚካኤል።*

✠ ✠ ✠

## ታሪክ ገዳም እንዳ ማርያም ዓይላ ዞባ ደቡብ ኤርትራ

ገዳም እንዳ ማርያም ዓይላ ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ዓዲ ኂላ ከባቢ ዓይላ ጉንደት ኣብ ጥቓ ፈለግ መረብ ብወገን የማን ዝርከብ እዩ። ገዳም እንዳ ማርያም ዓይላ ጨንፈር ገዳም ደብረ ማርያም እንዳ ኣቡነ ኣብሳዲ እዩ፡ ማለት ካብ ኣባላት ገዳም ደብረ ማርያም እናተላእኹ እዮም ዘማሐድርዎ፡

ወይ ከኣ እቶም ዓዲ ሓደ ሓደ ፈላሲ ደልዮም እናኣምጽኡ ከም ኣበምኔት ኮይኖም የማሐድሮም እንተዘይ ተሰማምየም ንዕኡ ኣፉንዮም ከምኡ ከኣ ካልእ ኣናድዮም ይትክኡ። በዚ ከምዚ ዅነታት ንብርክት ዝበለ ዓመታት ክንዓዙ ከምዝጸንሑ ይፍለጥ፣ እንዳ ማርያም ዓይላ ሕዝቢ ወረዳ ዓይላ ከም ገዳም ይኹነልና ኢሎም ተሰማሚየም ርስቲ ሰሊሶም ሂቦም ብገዳም ዓይነት ኣቑመጥዎ። ከምኡ'ውን ካብ ገዳም ኣቡነ ኣብሳዲ ኣባላት መነኮሳት እናኣምጽኡ ክካየድ ምስ ጸንሐ ሃገርና ኤርትራ ብፈደረሽን ክትመሐደር ከላ ብዘመን ጵጵስና ኣቡነ ማርቆስ ከምተን ከምኣ ዝኣመሰላ ኣብ ቁጽሪ ገዳማት ኣትያ ብመጠኑ ወርሐዊ ኣበል ተሰሪዑላ በዝን ቦቲ ርስትን ካብ ዓ ደቦ ዝተዋህቦ ክትካየድ ጸንሐት። እንዳ ማርያም ዓይላ መንፈሳዊ ርክቦም ምስ ገዳም ደብረ ማርያም ኣቡነ ኣብሳዲ እዩ፣ ማለት ኣቡነ ተወልደ መድኅን ወዲ ኣቡነ ኣብሳዲ ብብሕትውናን ተጋድሎን ኣብኡ ይቐመጥ ስለ ዝነበረ ብድሕሪኡ'ውን ኣቡነ ዳንኤል ዝተባህለ ተቐሚጡ ኔሩ። ኣብኡ ከኣ ስለ ዝተቐበረ በዚ ምኽንያት እዮም ምስ ገዳም ኣቡነ ኣብሳዲ መንፈሳዊ ርክብ ዝቐጸለ፣ ጥንታውነት ናይ ኣቡነ ተወልደ መድኅን ማለት ኣብ እንዳ ማርያም ዓይላ ዝነበረሉ ጊዜ ብ፲፫፻፺/ 1390 ዓ.ም ጀሚሩ ሕዝቢ ከባቢ ዓ ይላ ብመልክዕ ገዳም ሒዝዎን ኣኽቢርዎን ሃይማኖታዊ ኣገልግሎት ክፍጽመሉን ጸኒሑ እዩ። ሕዝቢ ከባቢ ዓይላ ብዓ ሌት (እንዳ) እኳ ዝፈላለዩ ይኹኑ እምበር ነናቶም ርስቲ ከጸልሙ ከለዉ ነዚ ደብሪ'ዚ ግና ብሓባር ሰሊሶም ረሲቶም የማሐድርዎ ከምዝነበሩ ይፍለጥ። እንዳ ማርያም ዓይላ ብዝተፈላለየ ሕማማት ማየ ጸሎት እናተሐጽቡ ዝፍወሱ ሕሙማት ብዙሓት እዮም። ብሕልፊ እኳ ውላድ ዝሰአና ኣዴታት እናተመባጽዓ ውላድ ዝረኽባ ብዙሓት እየን። ኣቀማምጣ ቦታ ገዳም ካብቲ ቆላዊ ጠባይ ብርኽ ዝበለ ኮይኑ ኣዝዩ ብሃሩር ኣይጥቃዕን እዩ፣ ገዳምን ከባብን ብጣዕሚ ዱር ስለ ዝኾነ ሙቐት ይከሻኸለሉ ነይሩ እዩ። ሕጂ ግና ኣብ ዝሐለፉ እዋን ብደርጊ ፈጺሙ በሪሱ ኣእማን ጥራይ ተገይጹ ተሪፉ፣ ሕብሩ ለዊጡ፣ ንምርአዩ ዘጸግም ኮይኑ ኣሎ። ኣብ ርእሲ'ዚ ከኣ ናይ ፈሐም ፍቓድ ዝተዋህቡ ካብቲ ገዳምውን ከይተረፈ ንቐጽን ጥሉልን ከይተባህለ ገረብ ስለ ዝቕ'ረጽ በሪሱ እዩ ናብ ሰሃራውን ተለዊጡ። ኑቲ ገዳምን ከባቢኡን ጉድኣት ስለ ዝፈጠረሉ ኩሉ ጊዜ ደርቂ የጥቅየም ኣሎ። እንዳ ማርያም ዓይላ ብምምሕዳር ገዳም ኮይኑ ካብ ዝመሥረት ንደሓር ጥጡሕ ቦይታ ፈጢሩ ኣይተኻየደን። ማለት ሓንሳእ ኣብ ዕቁሪት መሲሉ ሓንሳእ ከኣ ከምሐድነት መሲሉ ይረአ። ናብራ ገዳም እንዳ ማርያም ዓይላ ኣብ ሕርሻ ዝተመርኮሰ እዩ። ልዕሊ ዓቕሞም ስለ ዝኾነ ግና ኣጸቢቑ ዘተኣማምን ኣይኮነን። ምኽንያቱ ከኣ እቲ ጸብጻብ ደቂ ማኅበር ካብ ዓመት ናብ ዓመት ጉድለት የርኢ ስለ ዝኾነ በዚ ሕጂ ዘለዎ ኣንፈት እንተ ቐጺሉ ድሕሪ ቁሩብ ዓ መት ኣብ ገጠር ከይልወጥ ዘየፍርህ ኣይኮነን። ስለዚ ብኣጋ ክሕሰበሉ ይግባእ።

***ክብረ በዓሉ ዕለት ፳፩ (21) ጎዳር ጽዮን እዩ ዝኾብር ኣማላድነት ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ምስ ኮኅትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።***

✠ ✠ ✠

## ታሪክ ናይ ገዳም መጥምቀ መለኮት ቅዱስ ዮሐንስ ቴድረር ዞባ ደቡብ ኤርትራ

ገዳም ዮሐንስ ቴድረር ኣብ ከባቢ ኣከለ ጉዛይ ንኡስ ዞባ ደቀምሐረ ከባቢ ቴድረር ይርከብ። ሠለስተ ደቂ ድራር ካብ ከባቢ ሃም ብድሕሪ ሞት ኣቡነ ሊባኖስ ናብ ቴድረር ምስ ገዓዙ ብመልክዕ ገዳም ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ገዳም መሥረትዎን ገደምዎን ካብ ፭፻፴፯/ 537 ዓ.ም ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ ሕዝቢ ቴድረር ብዓቢይ ክብሪ ንገዳም ዝግባእ ህያብን ስእለትን እናኣበርከቱ ይነብሩ ኣለዉ።

ሠለስተ ደቂ ድራር ብስምዕ ገዳም ይኹነልና ብማለት ትሕዝትኡን መልክዑን ቅርጹን ስለ ዘትሐዝዎ ዕቤቱ ሐልዮን ዓቂቡን ክሳብ ሎሚ ዕለት ክጸንሕ ክኢሉ። ዮሐንስ መጥምቀ መለኮት ወዲ ዘካርያስ ካህን እዩ፣ ንዮሐንስ ካብ ኣንስቲ ካብ ዝተወልዱ ዝዓብዮ የልቦን ኣብ መንግሥተ ሰማያት ግና እቲ ዝንኣሶ ይዓብዮ (ሉቃ 7÷28) ብጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ጽድቁን ዕብየቱን ዝተመስከረሉ ነቢይን ሐዋርያን ዝኾነ

ብስሙ ጽላት ተቐሪጹሉ ቤተክርስቲያን ተሐኒጽሉ። እዚ ሠለስተ ደቂ ድራር ዝገደምዎ ገዳም እንዳ ዮሐንስ ጥንታውነቱ ምስ ገዳም ደብረ ወርቅ አቡነ ሊባኖስ ተመሳሳሊ እዩ ካብ ከውሒ ዝፈልፈለ ማየ ጸሎት ጸበል ኣለዎ።
እዚ ገዳም'ዚ ብስም ዮሐንስ መጥምቅ እዩ፣ ካልእ ቅዱስ ወይ ጻድቕ ከይመስለና ዮሐንስ ሰማዕት መጥምቀ መለኮት ብኢድ ሄሮድስ ዓላዊ ዝተሰየፈ እዩ። ዮሐንስ ገዳም ክግደመሉ ዝግባእ እዩ። ከመይ ዮሐንስ ገዳማዊ፣ ባሕታዊ፣ ትሕርምተዐ፣ ወይኒ ወይ ሜስ ዘይስቲ፣ እኽሊ'ውን ዘይበልዐ እዩ፣ ክዳን'ውን አይክደንን ነበረ ናብርኡ በረኻ ስለ ዝኾነ ማቴ ፲፭፥፯-፲፰/ 11፥7-18። ሉቃ ፩፥፶/ 1፥8) ተመልከት። ቅ/ዮሓንስ ከም ነቢይ ኤልያስ ናይ ድንግል መሥራቲ እዩ።
ንሱ ናይ ኣበው መነኮሳት አብነት ኮይኑ ብዙሓት ሰዓብቲ ዘፍረየ አቦ እዩ እዚ ካብ እንጦንስ አቦ መነኮሳት - ሚሩ ዝተራእየ ብሕትውና ኣብ ገዳም ምስፋር፣ ትሕርምቲ፣ ዓጽፊ ምኽዳን፣ ካብ ዮሐንስ መጥምቀ መለኮት ዝተበገሰ ኣብነት እዩ። ነዚ ቅዱስ ተግባር'ዚ ብቓል ትምህርቲ ጥራይ ዘይኮነስ ብግብሪ ፈጺሙ እዩ ሰሪሑ ከኣ ስለ ዘርኣየ ብዙሓት መናንያን ሰዓብቲ ረኺቡ በዚ ተጠቒሞምን፣ ጠቒሞምን እዮም። ሕጂ'ውን አሰር ጥንቲ ንጣር ንጣር ሓሐሊፎም አይተሳእላኑን እምበኣር ገዳም እንዳ ዮሐንስ ቴድረር ብገዳም ዓይነት ካብ ዝምሥረት ጀሚሩ አስታት ፲፬፻፶፭/ 1451 ዓ.ም ዓመታት ኮይንዎ ኣሎ ነዚ ጥንታዊ ገዳም'ዚ ሕዝቢ ከባቢ ቴድረር ብኽብሪ ዓቂቦምን ተኻናኺኖምን ስለ ዘጽንሕዎ ስለ ጥንቱ ሐልዩ እቲ ዘለዎ መጻሕፍትን ቅርስን ምስክር እዩ። ብግዚኡ ዝነበሩ ሰበ ሥልጣን'ውን ገዳምነቱን መሰሉን ሐልዮም ይነብሩ ነበሩ።
ገዳም እንዳ ዮሐንስ ሠለስተ ደቂ ድራር ከም ገዳም ኣኽቢሮም ይመሥርትዎ እምበር ብሥርዓት ጳኩሚስን ብሐድነትን ማኅበራዊ ናብራስ ክንድ'ቲ ዝኣክል አይነበሮን ከም ደብሪ ኮይኑ ባሕታውያን ካህናት ይግልገልን ይቕደስን ምንባሩ አይከሐድን እዩ። ስለ ስም ገዳም ኀኽበሃል ግና ካብ ዝኾነ ገዳም ፈላሲ ኣናዲኻ ምምጻእ ዝተለምደ እዩ። እዚ ካብ ኮነ ከም ትምኒት ሕዝቢ ቴድረር እቲ ገዳም ማዕቢሉ ብገዳማውያን ክውነን ጠቕላላ ትሕዝቶኡ ማኅበራዊ ናብራ ብዝሰፈኖ ሐድነታዊ ማኅበር ቆይሙ ብሐደ አበምኔት ዝምራሕን ዝመሐደርን ገዳም እንተ ደኣ ተደለየ። ሕዝቢ ቴድረር ብሓባር ገዳም ዝጥቀመሉ ርስቲ ሰሊያም አብ ርእሲ ምሃብ ንሐድነት መቕቕሚ ዝኸውን ገንዘብ'ውን ክልግሱ ይግባእ። ካብኡ ንደሓር ቁጽጽር እናተገብረ ብገዳም መልክዕ ይስጉም ኣካላዊን ንዋታውን ረድኤት ከይተፈልዮ ጥንታውን ምዕቡልን ገዳም ከምዝበሃል ክኸውን ዝከኣል እዩ። ካብዚ ሐሊፉ ገና ሓደ ፈላሲ መነኮስ ኣሕዲርካ ገዳምና ዓቢ እዩ። ገዳምና ጥንታውነት ኣለዎ ማለት እኹል አይኮነን፣ ቤተ-ክርስቲያን ዝተመሥረተሉ ዘመን ቀዳማይ ከም ምኻኑ መጠን ዓመተ ምሕረቱ ተገሊጹ ኣሎ። ትሕዝቶኡ ከመይ ንዝብል ሐታቲ ግና ዘዕግብ መልሲ አይንረክብን ኢና።
ገዳም እንዳ ዮሐንስ ብሥነ-ጥንትነቱ ንኤርትራ ሃገርና ጥንታዊትን ዓባይ ሃገርን ከምዝኾነት ሐደ ዓቢይ ምስክር እዩ። አብ ውሽጢ ዝዓቀቦም መጻሕፍትን ቅርስን'ውን ከም መረድኢ ናይ'ዚ ገዳም እዩ።

***ናይ መጥምቀ መለኮት ቅዱስ ዮሐንስ ኣማላድነትን ረዲኤትን በረኽትን ምስ ኵና ሕዝበ ክርስቲያን ይሁን።***

## <u>ታሪኽ ኣቡነ ሊባኖስን ድራርን</u>

ድራር ስመ ክርስትናኡ ገብረ ክርስቶስ እዩ ይበሃል። ካብ ዓሌት በለው ከለው ሕርጊጎ እዩ። ንሱ ካብ ሰቡ ተፈልዩ ናብ ሃም መጺኡ ክቕመጥ ከሎ ድራር በዓልቲ ቤቱ ነፍሰ ጾር ኮይና አብ ሃድን ተዋፈሩ ምግቢ ንምድላይ ደኺሙ ኣብ ጽላል የዕርፍ እሞ ካብ ሓደ ከውሒ መሸላ በብሓደ ይነጥር ድራር ቀለብ እኽሊ ምኻኑ ምስ ኣስተውዓለ ክአሪ ይጅምር ብብዝሒ ከኣ ይመጽኡሉ እዋይ ድራር አባ ተረኺቡ ይብል። በዚ ምክንያት ከኣ <u>ድራር</u> ዝብል ስም ይስመ ነዚ እኽሊ'ዚ ድማ ብረድኤት አቡነ ሊባኖስ ከምዝረኸቦ ይገልጸሉ። ብድሕሪ'ዚ አቡነ ሊባኖስን ድራርን ከም ኣቦን ወድን ኮይኖም ንብዙሕ ዓመታት ነበሩ ገብረ ክርስቶስ ሰበይቱ ካብ ሃም እያ

ሠለስተ ደቂ ከኣ ወለደ። አቡነ ሊባኖስ ፈልዩ ስለ ዝፈትዎ ከአ ካብዚ ዓለም'ዚ ብሞት ክፍለ ከሎኹ ንሰኻ ኢኻ ትቐብረኒ በሎ። ገብረ ክርስቶስ ከመይ ኢለ ክፈልጥ እኽእል ዝብል ሕቶ ኣቕረበ። አቡነ ሊባኖስ ከኣ ሐደ ምልክት ክትርኢ ኢኻ ዝብል ምልክት ሃቦ። ብድሕሪዚ አቡነ ሊባኖስ ኣብ ሐራሳት ዝተባህለ ዓዲ አብ ከባቢ ዓጋመ ጥቓ ዓዲ ግራት ዓረፈ። ካብዚ ሕጂ ዘሎ ገዳም ድማ መንገዲ መዓልቲ እዩ ርሕቐቱ ሐራሳት ዝተባህሎ ምኽንያት አብቲ አቡነ ሊባኖስ ዝዓረፈሉ ቦታ ሐራስ ላም ትወፍር'ሞ ነቲ ሬሳ አቡነ ሊባኖስ ትልሕሶ። ምሸት ደም ትሕለብ በዚ እቶም ዋናታታ ይሽገሩ ነቲ ጋሻ ከኣ ኣብ ምንታይ አውሂልካየን እዘን ከብቲ፡ ኢሎም ሐተትዎ። ንሱ ከኣ ኣብቲ ኩሉ ጊዜ ዝውዕልኡ ዝነበራ ቦታ ኢሉ መለሰሎም እንታይ እናበልዐት ደኣ እያ እዛ ላም ደም ትሕለብ ዘላ ሎሚ መዓልቲ ድድሕሪኣ ስዒብካ እንታይ ከም እትበልዕ ተኸታተላ ኢሎም ተላበውዎ። ንሱ ድማ ምሉእ መዓልቲ ካብኣ ከይተፈልየ እግሪ እግራ ክስዕባ ምስ ወዓለ እታ ላም ኣብቲ አቡነ ሊባኖስ ዝዓረፈሉ ቦታ ትኽ ኢላ ከይዳ ክትልሕስ ጸንሐቶ። እቲ ጓሳ ሰምቢዱ ነታ ላም ሰጐጓ። ብስምባደ ዝኣክል ከአ ንዓዲ ኣትዩ ኣብዚ ሓደ ፈላሲ ዓሪፉ ኣሎ እዛ ላምና ክትልሕሶ ጸኒሐትኒ ንዕኣ ሰጉጐ ከኣ መጺአ በሎም።

ዓዲ ተኣውዩ ተኣኪቦም ኣብቲ ዝነገሮም ቦታ እንተኸዱ ብጣዕሚ ሰምቢዶም ካብኡ ወሲዶም ኀኽቐብርዎ እንተፈተኑ ብፍጹም ምንቕ ምባል ኣበዮም። በዚ ክሽገሩ እንከለዉ ነቲ ንሰኻ ኢኻ እትቐብረኒ ዝበሎ ድራር ምልክት ቀስተ ደመና ኣብቲ ዘለዎ ኮይኑ ተራእዩ ካብኡ ክሃፍፍ ንሐራሳት ደቐኽ በለ አብቲ ምልክት ዝረአየሉ ቦታ ምስበጽሐ አቡነ ሊባኖስ ዓሪፉ ረኸቦ።

ብሞት አቡኡ ሰንቢዱ ዐኸየ። ቅርብ ኢሉ ከልዕሎ ፈተነ ሐፍ ከአ በለሉ። እቶም ዓዲ ድማ ንዓና ተኣኪብና ምልዓል ዝኣበየና ከመይ ኢሉ ንበይኑ ከልዕሎ ክኢሉ ብምባል ተገረሙ። ድራር ሬሳ አቡኡ ተሰኪሙ አብዚ ሕጂ ዘሎ ገዳም ቀበሮ። ብድሕሪ ቁሩብ እዋን ከኣ ንሱ ዓሪፉ ኣብቲ ገዳም ተቐብረ። ክሳብ ሎሚ መቓበር ድራር ተባሂሉ ብፍሉይ ይፍለጥ ሠለስተ ደቂ ድራር ድሕሪ ሞት ኣቦኡም ናብዚ ሕጂ ዘለውዎ ናብ ቴድራር ገዓዙ።

ብስሞም ከኣ ቤተ ክርስቲያን እንዳ ዮሐንስ አህጉጹ ብገዳም ስም ከአ ተዓቂቡ አሎ። ገዳም ተባሂሉ ካብ ሻድሻይ ክፍለ ዘመን ዝተመሥረተ ዓቢይ ገዳም ንምኻኑ ምስቲ ታሪክ ናይ አቡነ ሊባኖስ ዝተተሐሓዘ እዩ ንምእማኑ ኣየጠራጥርን እዩ። ሠለስተ ደቂ ድራር በቲ ናይ ኣቦኡም አሰር ተኸቲሎም ብዘይ ምቁራጽ ኣብ ዓመት ካብ ሠለስተ ገዛ ተዋጺኦም መባእ እናሐዙ ብሠለስተ ጥሪ ክሳብ ገዳም ደብረ ወርቅ እናተጓዕዙ በዓል ዓመት አቡነ ሊባኖስ የብዕሉ ኣለዉ።

ንድራር (ገብረ ክርስቶስ) ቅድሚ አቡነ ሊባኖስ ክርስቲያን ምግባሮም መሓመድ ፃዕዳ እዩ ዝበሃል ዝነበረ። ግና እዚ ስም'ዚ ናይ ንእሽቶ እስያ ስም እዩ እምበር አስላማይ አይነበረን ማቃት አሕመድ ፃዕዳ ዝነበረሉ እዋን እምነት ምስልምና ፈጺሙ አይነበረን ማለት እዚ ስም'ዚ ሕጂ ብእምነት ምስልምና ዝጽውዑሉ ዘለዉ አስማት ቅድሚ ምስልምና ዝነበረ እዩ። እምነት ምስልምና ዝጀመረ መሐመድ እዩ ብዘየጠራጥር ግና ንዕኡ ዝወልዱ አቡኡ ዓ ብደላ ይበሃል ኣዲኡ ከኣ ኣሚና ትበሃል ስለ'ዚ እዚኣቶም ከአ ኣብ እምነት ምስልምና ከይኣመኑ እዮም ሞይቶም። እምበኣር በዚ ኣስማት'ዚ ክጽውዑ ዝኽእሉ ኩሎም ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ነበርቲ ዝኾኑ ኩሎም ኤርትራውያን ካብ ሰምሃር ንወገን ሰሜንን ደቡብን ዝርከቡ እዮም። እዚኣቶም ጐረባብቲ ኮይኖም ብንግዲ ይኹን ወይ ብኻልእ ምኽንያት ርክብ ስለ ዘለዎም በዚ እተጠቕሰ ስም (ኣስማት) ክጽውዑ ይርከቡ ኣለዉ። መሐመድ ብ፲፻፫፭/ 620 ዓ.ም ንስብከት ሃይማኖት ምስልምና ተበገሰ። ንእሽቶ እስያን ሰሜን ኣፍሪቃን ኣብ ውሽጢ ዓመት ሃይማኖት ምስልምና ክሰፍሕ ክኢሉ። ብድሕሪ ፲፪ (12) ዓመትን 3ተ ወርሃን ከአ ብቐይሕ ባሕርን፣ ሱዳንን ናባና ማለት ኣብ ኤርትራ ሃይማኖት ምስልምና ክቀላቐል - መረ። አሕመድ ፃዕዳ አብ ዝነበረሉ እዋን ግና ምስልምና ዝበሃል ሃይማኖት ኣይነበረን ስለ'ዚ ንሠለስተ ደቂ ድራር አስላም እናበሉ ሐደ ሐደ ሰባት የቋናጽብዎም፣ ካብኣቶም'ውን በቲ ሃም ጥራይ ኣሚኖም

ኣቦኣም ኣስላማይ ከምዝነበረ ገሚቶም ኣሜን ዝብልዎ ኣይተሳእኑን ነዚ ብምርዳእ ከኣ እዩ ትውልዲ ቴድረር ንምርዳእ ክግለጽ ዝተደልየ። ገዳም እንዳ ዮሓንስ ብጥንትነቱ ምስቶም ቀዳሞት ኣድባራት ንሃገርና ኤርትራ ዕቤታ ዘረጋገጸላ ኮይኑ ክሳብ ሎሚ ህልውናኡ ዝሓለወ ገዳም እዩ ከባቢ ሕዝቢ ቴድረር ከኣ ዓቕሙን ኃይሉን ብዝፈቕዶ ኣቓልቦኡን ኣተኵሮኡን ናብኡ ኩሉ ጊዜ ምስ ዘምበላ እዩ።
***ናይ መጥምቀ መለኮት ቅዱስ ዮሓንስ ኣማላድነት ረድኤትን በረከትን ምስ ኵልና ሕዝበ ክርስቲያን ይሁን።***

✠ ✠ ✠

## ደብረ ቀኲስቋም ድባርዋ ዞባ ደቡብ

ነታ ናይ ሃገረ ኤርትራ ርእሰ ከተማ ዝነበረት ድባርዋ ኣብ ከባቢኣ ወይ ኣብ ውሽጣ ኣብ ዝርከብ ጎቦ ብወገን ምዕራብ፣ ብስም ቅድስት ድንግል ማርያም ቤተ ክርስቲያን ዝተሐንፀት ኮይና ካብ ቅድም ኣትሒዛ ብመልከዕ ገዳም ትርኣ።
ቀደም ኣቡነ ሰላማ ከሣቴ ብርሃን ንገለ ኣዋርሕ ዝኣክል ተቐሚጥዋ ነበረ። ኣብኣ ስብከተ ወንጌል ኣካይዱ። ገለ ፲፱ (19) ዝኾኑ ካህናትን፣ ዲያቆናትን ኣብኣ ኮይኑ ባረኣ። ካብዚ ገዳም'ዚ ቀጺሉ ኣቡነ ሰላማ ናብ ኣክሱም ገጹ ኣምርሐ።
ብ፲፭፻፲፭ (1515 ዓ.ም. ግዕዝ) ኣብ ዝነበረ ናይ መሓመድ ግራኝ ወራር ተወሪራ፣ ተዳኸመት። መሐመድ ግራኝ ንድባርዋ ሰባ፣ ጥሪታ፣ ወዲኡ፣ ዓዲ ኣቓጺሉ ነታ ቤተ ክርስቲያን ኣዕነዋ። ድባርዋ ፶፰ (58) ዝኾኑ ባሕሪ ነጋሢታት ተሸይሞሙላ ዝነበሩ ዓባይ ናይ ቅድም ከተማ እያ።
ንገዳም ደብረ ቀኲስቋም ካብ ቅድም ኣትሒዙ ቤተ ክርስቲያን ከምዝነበራ እምበር እገለ መሥሪትዋ፣ እገለ ገዲምዋ ዝብል ታሪኽ የብላን። ከም ገዳም ወይ ከም ደብሪ መጠን ፍልይ ዝበለ ኣኽብሮት ይወሃባ ነበረ።
እዛ ገዳም እዚኣ ሓደ ዓቢ ኣቡነ ማቴዎስ፣ ቀደም መምህር ኣብርሃም ዝነበሩ ንሃገረ ኤርትራ ጳጳስ ዘፍረይት እያ። ብኣንጻር ናይ'ቲ ቀደም ዓንያቶ ዝነበረት ኣብዚ ግዜ'ዚ ካልኣይ ብስም ኣቡነ ኣረጋዊ ቤተ ክርስቲያን ተሰሪሑላ፣ ከምኡ እውን ንኽትርእዮ መሳጢ ዝኾነ ናይ መንፈሳውያን መንበሪ ተሰሪሑላ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ትርኪብ ኣላ።

## ኣብኣ ዝርከቡ ቅርስታት

ካብ ግራኝ ዘንደዶም ሓደ ሓደ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ይርከብዋ። እዛ ገዳም ደብረ ቀኲስቋም እዚኣ ቅድም ከም ኣበምኔት፣ ዕድሚኡም ምሉእ ዘገልግልዋ ኣባ ኣብርሃም ሥምረ ኣብ፣ ሕጂ ኣቡነ ማቴዎስ ጳጳስ ዘኣድያመ ጽልማ ዝወለደት ብምኻና ዕዙዝ መንፈሳዊ ክብሪ ዘለዋ ገዳም እያ።
ክብረ በዓላ ዕለት ፮ (6 ጎዳር) ቀኲስቋም ኣመንትን ማይ ጸሎት ዝተሐጽቡ ሰብ መብጽዓን፣ ከምኡ እውን ኣብኣ ዝተማህሩ ሊቃውንት ካብ ርሑቕን ቀረባን ብምምጻእ ብማኅሌትን ቅዳሴን ከቢራ ትውዕል።
***በረኸት ሰደታ ለማርያም ይኽፈለና።***

## ጥፈኣት ገዳማተ ኤርትራ

1. ሃገረ ናግራን ኣብ ሳሕል ዝተባህለ ገዳም ኣብ ሓሙሻይ ክፍለ ዘመን ዝተመሥረተ ሥልጡን ገዳም እዩ ነይሩ። ክሳብ እዚ ቀረባ እዋን ሓደ ሓደ ባሕተውቲ ከምዝነበርዎ ይንገር።
2. ገዳም ደብረ ሰማዕታት ሃገረ ናግራን ሳሕል።
3. ገዳም ቅዱስ ሚካኤል ኣብ ሳሕል
4. ገዳም ቅድስት ሥላሴ ኣብ ሳሕል።
5. ገዳም ኣቡነ ሰላማ ኣብ ጀንገሬን ብሌን ኣብ ሰንሒት ከባቢ (ከረን)
6. ገዳም ደብረ መዓር ቅድስት ማርያም ኣብ ሳሕል
7. ገዳም ቅዱስ ጊዮርጊስ እንዳባ ሐኒ ጽንዓ ደግለ ማይ ዔላ
8. ገዳም እንዳ ኣቡነ ሰላማ ኣብ ዓራቶ ኣከለጉዛይ ልዕሊ ማይ ዔላ ክሳብ ደግዓ። ክሳብ ወዓልት።
9. ኣብ ከባቢ መንሳዕ ማርያም ቀይሕ ማርያም ጸሊም ኣብዚ ቦታዚ ሠለስተ ዓበይቲ ገዳማት ከምዝነበራ ይንገር።
10. ዓዲ ቀ ኣቡነ ማትያስ
11. ገዳም ወገራቆ ኣቡነ ተክለ ሃይማኖት

12. ዓይላ ጉንደት ቅድስት ማርያም አቡነ ተወልደ መድኅን
13. ደብረ ሲና አቡነ ድምያኖስ
14. ገዳም ደብረ ሐዋርያት አቡነ ሴት ዓዲ ቂታ
15. ታኺታ አቡነ ይስሓቅ
16. ደምባ ምጭ አቡነ ዮሐንስ
17. ዓዲ ሐንሰ አቡነ ሠረቀ ብርሃን መራጕዝ
18. ማይ ለሓም አቡነ ኣናንያ
19. ማይ ጐርዞ አቡነ ሙሴ
20. ደምበላስ አቡነ ምናሴ
21. ገዳም ደብረ አንገብ አቡነ ዕንቈብርሃን ንሰይፈ ሚካኤል አቡኡ
22. ገዳም ደብረ ስላ አቡነ ጴጥሮስ ከባቢ ኣቑሮደት

◆ ◆ ◆

# ምዕራፍ ኣርባዕተ (፬)
# ቅዱሳት ኣንስቲ

## ናይ ቅዱሳት ኣንስቲ ኣገልግሎት

ናይ ራብዓይ ክፍለ ዘመን ታሪኽ ቤተክርስቲያን ከምዘረድኣና ኣብ ውሽጢ ዘመነ ሰማዕታት ይኹን ድሕሪኡ ብሰማዕትነት ካብ ዝሓለፋ ቅዱሳት ኣዴታት ብዝርዝር ከም ኣብነት ኣብ ዝስዕብ ንመልከት።

### ቅዱሳት ኣንስት

ብጐይታ ኣብ ሞንጐ ሰብኣይን ሰበይትን ምፍልላይይ የለን። ኀሾላቶም ብሓደ እዩ ዝርእዮም። (ገላ. 3÷28/ ፫÷፳፰) ከምዝተጻሕፈ። ቤተክርስቲያን ናይ ኩሉ እያ። ጐይታ ፲፪ (12) ሐዋርያት ፸፪ (72) ኣርድእት ፴፮ (36) ቅዱሳት ኣንስት መሪጹ እዩ። ደቂ ኣንስትዮ ይኽተላኦን ብገንዘበን እውን የገልግልኣን ነበራ። (ሉቃ 10÷2/ ፲÷፪) ቤተክርስቲያን ንደቂ ተባዕትዮ ቅድስና ክትህብ እንከላ፣ ንደቂ ኣንስትዮ ውን በቲ ዝግብኣን ክብሪ ትህብ እያ።

ንደቂ ተባእትዮ ናይ መዘከርታ ዕለት ከምዘለዎም ከምኡ ውን ንቅዱሳት ደቂ ኣንስትዮ ዝዝከራሉ መዓልቲ ክህልወን ቤተክርስቲያን ተፍቅድ፣ ኣብቲ ተኣምር ዝፈጸማሉ፣ ዝተወልዳሉ፣ ዝሞታሉ ዕለት መዘከርታ ይግበረለን። ቤተክርስቲያን ከምቲ ንቅዱሳን ኣቦታት ከማልዱላ እትኣምኖም። ንቅዱሳት ኣዴታት ኣንስት ከኣ ልክዕ ብትሩፋቶንን ብጸሎታቶንን ከማልደላ ትኣምን።

ኣብ ራብዓይ ክፍለዘመን ብስም ክርስቶስ ዝኣመነ ዘበለ ዝሕረደሉ ኣብ ዝነበረ ዘመን ብሰማዕትነት ዝሓለፋ ብዙሓት ኣዴታት እየን። ከምቲ ንደቂ ተባዕትዮ ዝተዋህበ ናይ ስምዕ ትና ክብሪ ንዕኣቶን ውን ከምኡ ተዋሂብወን እዩ።

ቤተክርስቲያን ኣብ ርእሲ እቲ ናይ ትሩፋቶን፣ ዝተጋደላሉ፣ ዝተወልዳሉ፣ ዝሞታሉ ዕለተ ዝኽረን ብተወሳኺ ናይ ኩሳቶን ቅዱሳት ኣንስቲ መዘከርታ ኢላ ኣብ ድሮ ዳግማይ ትንሣኤ ዘላ ቀዳሚት ሰንበት ትዝክረንን፣ ተኽብረንን ኣላ።

እዚ ኩሉ ክብሪ ክወሃበን ዝኽኣለ ከኣ ብሕይወቶን ኣብ መሬት እንከለዋ ብዝፈጸማኦ ቅዱስ ኣገልግሎት እዩ።

ቅዱሳት ኣንስቲ ንክርስቶስ ዝገበራሉ ኣገልግሎት እንታይ እዩ ናብ ዝብል ምስ እኽኸይድ።

1. ምስ ጐይታ ኣብ ዝወዓሎ እናወዓላ ኣብ ዝሓደሮ እናሓደራ ምስኡ ነበራ።
2. ብገንዘቦንን፣ ብጉልበቶንን ንጐይታ ኣገልጊለን።
3. ብሥራቶ ትንሣኤ ቅድሚ ኩሉ ርእየን ንቅዱሳን ሐዋርያት ነጊረን።
4. ኣብቲ ቀዳማይ ዘመን (ቀዳማይ ሚእቲ) ቤተክርስቲያን ብኽቢድ ሽግር ኣብ ዝነበረትሉ ግዜ ንክርስቲያናት ብዙሕ ኣገልግሎት ሂበን። ምሉእ ሕይወቶን ንሰይፊ፣ ንሓዊ ንማእሠርቲ ነብሰን ክሳብ ምውፋይ በጺሐን እየን።
5. ናይ ሓዋርያት ጽሑፋት (መልእኽትታት) ናብ ክርስቲያናት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ኣብጺሐን።
6. እታ ናይ መጀመርታ ቤተክርስቲያን ኣብ ቤተን መሥሪተን (ቤተን ሂበን)።
7. ንዘይኣምኑ ምሂረን ኣእሚነን እየን።

8. ብመንፈስ ቅዱስ ዝተነግረለን ትንቢት ኣብኣተን ተፈጺሙ ኢዩ።
9. ቤተክርስቲያን ክስራሕ እንከሎ ዝተፈላለየ ኣብ ውሽጢ ቤተክርስቲያን ዝፍጸም ኣገልግሎት ሠሪሐን እየን።

ቅዱስ ጳውሎስ ነቲ ብመንፈስቅዱስ ዝወለዶ ጢሞቴዎስ ወዱ ኣብ ዝጸሓፈሉ “ ነታ ጥርጥር ዘይብላ ኣቦኻ ዘላ እምነት እዝክራ እየ። እዛ እምነት እዚኣ ቅድም ኣብ ዓባይካ ሎይድ፣ ከምኡ ውን ኣብ ኣዴኻ ኤውንቄ፣ ነበረት። ሕጂ ከኣ ኣቦኻ ከምዘላ ኣሚነ ኣሎኹ። (2ጢሞ.፩፥፭/1፥5)
ስለዚ ናይ ኣዴታት ትምህርቲ ዘመንን ዕድመን ዘይስዕሮ ምስ ኣእምሮ ተቐሪጹ ዝነብር ሓወልቲ እዩ።

## ፩. ሰማዕት ቅድስት ሶፍያ በዓልቲ ሮማ (ሮማዊት)

ሰማዕት ቅድስት ሶፍያ ንግሥት ከላ ምስተን ሰለስተ ደናግል ደቃ ኾይና ንክርስቶስ ከተምልኽን ክትኣምንን ብምርካባ ምስ ሠለስቲኣን ደቃ ብሰይፊ ተሰይፋ ብሰማዕትነት ሓለፈት።
ቤተ ክርስቲያን ናይዝ ቅድስት ኣደ መዘከርታ ነሐሴ ዕለት ፫ (3) ብዓቢይ ክብሪ ተኽብራ እያ። ያሬድ ውን ኣብቲ ድጓዓ ዝተባህለ መጽሓፍ ድርሰቱ፣ ምሉእ ድርሰት ከምቲ ቅድስናኣን ክብራን ኣገልግሎታን ብሰፊሑ ገሊጽዎ ይርከብ። ***ምንጪ፦ ሰንክሳር ዕለት ፴ (30) ጥሪ እዩ።***

## ታሪኽ ቅዱሳት ሰማዕታት ጲስጢስ፣ ኣላጲስ ኣጋጲስ ኣዴታት ሮማውያን

ቅድስት ሶፍያ ዝተባህለት ጽንዕቲ ሰበይቲ ነበረት። ምስዝን ሠለስተ ኣዋልዳ (ደቃ) ናብ ሃገረ ሮሜ ከደት። ሠለስቲኣን ከኣ ኣዝየን መልክዐኛታት ነበራ። ነዘን ደቃ ብናይ እግዚኣብሔር ጸጋን ጥበብን ተዕብ የን ነበረት። በዚ ምኽንያት ፍጹማት መንፈሳውያን ኮና። ንእግዚኣብሔር ስለ ደቃ ተመስግኖን ትጽልየለንን ነበረት። ናይ ኣስማተን ትርጉም ሃይማኖት፣ ፍቕሪ፣ ተስፋ ማለት እዩ።
እዘን ሠለስተ ኣኃት ጲስጢስ፣ ኣላጲስ ኣጋጲስ ገና ብሕጻንነተን እንከለዋ መጻሕፍተ ሐዲስን ግብረ ሐዋርያትን ብግቡእ ተማህራ፣ ብዕለተ ሰንበት ከኣ ቅዱስ ቍርባን ይወስዳ ነበራ። ኣብ ርእሲ ጸጋ፣ ጸጋ እናተወሸኽለን ብሃይማኖት ጽኑዓት ኮና።
ኣጢዎኮስ ዝተባህለ መኰንን ንሶፍያ ምስ ደቃ ብሰይጣናዊ ኣረኣእያ ጠመተን። ኮነታተን ኣጽኒዑ ኣድርያኖስ ናብ ዝተባህለ ናይ ሮማ ንጉሥ ኣትዩ “ካበይ ከምዝመጻት ዘይትፍለጥ ሓንቲ 3ይ ርእሳ ሰበይቲ ኣብ ከተማና ትነብር ኣላ። ንኣንስትና ጥራይ ብኢየሱስ ክርስቶስ ክኣምና ኣብ ልዕሊ ምግባራ ንምሳሕ እኳ ንገዝአን ኣይመጻን። ክብሪ ኣማልኽትና ብኣኣተን ስሩዝ እዩ” ብምባል ከሰሰን።
ንጉሥ ኣድርያኖስ መልክዓተን ብምርዓይ ብጣዕሚ ተደነቐ። ኀሸዘራርበን ውን ፈርሀ። ብጣዕሚ ከኣ ኣኽበረን። ድሕሪ ብዙሕ ምሽጋሩ ንቅድስት ሶፍያ ኣቐረቡ። “ኣቲ እንታዋይቲ ኢኺ ስሌኺ ዝሰምየ ዘሎኹ እንታይ እዩ፡ ንናይ ሮማ ኣማልኽቲ ስለምንታይ ትኽሕዲ፡ ናይ ሮማ ኣማልኽቲ ዓለም ዝፈጠሩ እዮም። ንሰኺ ክርስቲያናዊት እንተኾንኺ ኣቐዲምኪ ስምኪ ንገርኒ” በላ። ንሳ “ ኣነ ናይ እግዚኣብሔር ኣገልጋሊት ባርያ ዝተባሃልኩ ክርስቲያናዊት እየ፣ ወለደይ ግን ሶፍያ ኢሎም ሰምዮሙኒ፣ ኣዝማደይ ከኣ ዓበይቲ እዮም። ብናይ ዓለም መድኃኒት ኢየሱስ ክርስቶስ ፍቕድ ናብዚ ሃገርዚ ክመጽእ ክኢለ። ነዘን ሠለስተ ደቀይ ከኣ መባእ ጌረ ከቕርበሉ ጸውዓኒ” በለቶ።
እተን ሠለስተ ደቃ እውን ባዕላተን ጽንዓት ሃይማኖተን መስከራ። ንሳውን ተተባብዐን ነበረት። እቲ ንጉሥ ንዕኣ ተስፋ ምእንቲ ከቀርጸ ኢሉ ነተን ሠለስተ ደቃ ኣብ ቅድሚ ዓይና ኣብ ሓዊ ጠቢሱ ቀተለን። ንሳ ገኒዛ ካብ ከተማ ሮማ ወጻኢ ቀበረተን።
ኣብ መበል ሠለስተ መዓልቲ ተስካር ደቃ ክትገብር ምስ ብዙሓት ደቂ ከተማ ኣንስቲ ናብ ደቃ ዝተቐብራሉ ቦታ ከደት። “ ዘይሓልፍ ኣኽሊል ዓወት ዝተዓደልክን ክቡራት ደቀይ ንዓይ ከኣ ምሳኻትክን ውሰዳኒ” ኢላ ጸለየት። ከምዚ

ኢላ ምስ ጸለየት ንግዚኡ ብሰማዕትነት ዓረፈት። ምስ ደቃ ከኣ ተቐብረት።

- ሰላም ለሶፍያ እንተአንደየት ርእሳ፡
- መንግሥተ ሰማያት ኣብዲራ እምነ ምድራዊት ንግሣ።
- ተዝካረ ደቂቃ ሰላስ ወአኮ ሰላሳ።
- ድጎረ ገብረት ዮም በዘይትመጠ ማሕሠሣ።
- እግዚኣብሔር ይፈጽም ተመጠወ ነፍሳ።

ጸሎታተን ይሓልወና።

*ምንጪ፦ 1. ሰንክሳር ዕለት ፫ ነሐሴ*
*2. ሰንክሳር ዕለት ፴ ጥር*

*3. ነገረ ቅዱሳን ገጽ ፻፲፮*

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ሰማዕት ቅድስት ፌቤን ምስለ ወልዳ ዳግማይ ጳውሎስ

ቅድስት ፌቤን ኣብ ክንክርኤስ ክርስትና ተቐበለት። በዓል ቤታ ግና ሃብታም ግሪኻዊ ስለዝነበረ ክርስትና ዝብል እምነት ክወሓጠሉ ኣይከኣለን። ምኽንያቱ ንኣርጤምስ ዝተባህለ ጣያት ኣጸቢቑ የፍቅሮን ይፈትዎን ብምንባሩ ከምኡ ውን ብናይ ዝሙት ንግዲ ዝረኽቦ ዝነበረ ኡተት ክርስትና እንድሕር ተቐቢሉ ከቋርጾ ምኻኑ ስለዝፈለጠ እዩ ንክርስትና ዘጸልኦ።
ቅድስት ፌቤን ብብዙሓት ኣሕዋታን ቤተሰቡን ገይራ እኳ እንተለመነቶ ክሰምዕ ኣይከኣለን። ንሱ ምስ ኣቦያ ኣብ መወዳእታ ገንዘበይ፡ ንብረተይ ከይበለት ነቲ እተፍቅሮ ዳግማዊ ጳውሎስ ህፃን ወዲ ፭ ዓመት ወዳ ጥራይ ሓዚላ ካብታ ማሙቕ ዝኾነት ቤታ ወጺኣ ተሰደት። ካብታ መዓልቲ እቲኣ ጀሚራ የማነይቲ፡ ኢድ ናይ ቅዱስ ጳውሎስ ኮነት።
ናብ ኤውሮጳን እስያን ክመላለስ እንከሎ መዕረፊኡ ኣብ ቤታ ነበረ። ገየሽቲ ክርስቲያን ቅዱሳን ሓዋርያት፡ ልኡኻት፡ ዝተሰደዱ ቅዱሳን ኩሎም ካብ ገዛ ቅድስት ፌቤን ኣይፍለዩን ነበሩ።
እቲ ዳግማይ ጳውሎስ ወዳ ካብ መምህሩ ቅዱስ ጳውሎስ ክፍለ ኣይደልን ነበረ። እግዚኣብሔር ንነብይ ኤርምያስ ኣብ ማኅፀን ኣደኻ ከለኻ መረጽኩኻ ቀደስኩኻ ከምዝበሎ በቲ ዕድመ ሕፃንነቱ ምስ ዓበይቲ ኮፍ ኢሉ ወንጌል ክመሃርን፡ ክሓትትን፡ ክምልስን፡ ክዝምርን ነቲ ዝተማሃሮ ከኣ ይምህረሉ ነበረ። (ኤር ፩፥፬-፰)
ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ብጣዕሚ ስለዝፈትዎ ኣብ ዝመጽኣሉ እዋን ንበይኑ ብዝርድኡ ቋንቋ ይምህሮ ነበረ። ብፍላይ ከኣ ብዛዕባ ዝተጓዕዘለን ከተማታት፡ ቅዱሳን ሓዋርያት ዝፈጸምዎ ኣገልግሎት ክርስቲያን ዝኾበልዎ ዝነበሩ መከራታትን ግፍዕን፡ ናይ ሰማዕታት ጽንዓት፡ ከነግሮ እንከሎ ብኣድናቆት ሰሚዑ ካብተን ነኣሽቱ ኣዒንቱ ንብዓት ኮረር የብል ነበረ። ንሱ እቲ ሕፃን “ ኣነ እውን ንክርስቶስ ሰማዕት ምኻን እደሊ እየ” ኢሉ ንቅዱስ ጳውሎስ ይሕብሮ ነበረ። ቅዱስ ጳውሎስ ከኣ “ ኣጆኻ በርትዕ ጽቡቕ ጌርካ ተመሃር ንመጻኢ ከማይ ክትኸውን ኢኻ ” በሎ።
እቶም ኩሎም ናብ ገዛ ፌቤን ዝመጽኡ ዝነበሩ ንዳግማይ ጳውሎስ ወዳ ኣዝዮም ስለዝፈትውዎ ከየጻወትዎን ከይመሃርዎን ኣይኽዱን ነበሩ። ንሱ ከም ምሁር ኮፍ ኢሉ ይሰምየም። ካብዚ ኃሊፉ እውን ሓደ ሓደ ግዜ “ ቅዱስ ጳውሎስ ከምዚ ኢሉኒ ኣሎ” እናበለ ይነግሮም ነበረ።
ኮይኑ ከኣ ቅድስት ፌቤን ናይ ቅዱስ ጳውሎስ መልእኽቲ ተቐቢላ ናብ ሮማ ክትከይድ እንከላ ኣይፍለየክን እየ ስለዝበላ ሓዚላቶ እያ ዝተጓዕዘት ኣብ ኩተማ ሮማ በጺሓ ነቶም ኣብ እንዳ ኣቂላ ዝተኣከቡ ክርስቲያን ነቲ ቅዱስ ጳውሎስ ዝጸሓፎ መልእኽቲ ክትህቦም እንከላ እግዚኣብሔር ካብ ሰማይ ዝወረደ እዩ ዝመስሎም። ኣንቢቦም ምስ ወድኡ ከኣ ኩሎም ብንብዓት ተዋሒጦም ንነፍሶም ውን ነቒፎም። ብዝሒ ክርስቲያን ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናወሰኸ ከደ። ዳግማይ ኃኩሎም ኣብ እንዳኣቂላ ዝርከቡ ክርስቲያን ነቲ ቅዱስ ጳውሎስ ዝነገሮ ደጊሙ ይነግሮም። ብዛዕባ ጉዕዝኡን ኣብ ጉዕዞ ዘጋጠሞን ነቲ ኣዘራርባኡ ከይተረፈ ኣጸቢቑ የዕልሎም።

ንሳቶም ከኣ “ ንጳውሎስ እንተ ንርእዮ እናበልናስ ጐይታ ኣብዚ ሕፃን'ዚ ሓዲሩ ኣርኣየና ” እናበሉ ይግረሙ። ሮማውያን ብዛዕባ እዚ ሕፃን'ዚ ተኣምር ዝኾነ ወረ ክሰምዑ እንከለዉ፣ ነቲ ጥዑም ቃሉ ንምስማዕ በብዕለቱ ይእከቡ ነበሩ። እዚ ወረ'ዚ ከኣ ናብ ኣእዛን መኳንንቲ ሮማ በጽሐ። ንጉሥ ኔሮን ተቓጺሉን ሐሪሩን ናብ ውሽጢ ቤተመንግሥቱ ኣተወ እሞ ደወል ደዊሉ ምስ መኳንንቱ ኣብ ልዕሊ ፈቤንን ወዳን ናይ ሞት ፍርዲ ፈሪዶም ተበተኑ። እቶም ወተሃደራት እውን ኣብ ዝኾነ እናኣተዉ ንፈቤንን ወዳን ክሃድኑ ጀመሩ። ፈቤን ግን በዚ ኩሉ ድምብርጽ ኣይበላን። ንግሆ ተንሢኣ ንዳግማዊ ወዳ ኣብ ገዛ ገዲፋቶ ነቶም ክርስቲያናት ንምጽንናዕ ኣረጊት ክዳን ተኸዲና ተሰካሚት ጐሓፍ መሲላ ናብ ኩተማ ሮማ ትወጽእ። ኣብ መንገዲ ንዝረኸበቶ ጐሓፋትን ኩስትርታርን ኣኪባ ኣብ እንዳጓሓፍ እናኣእተወት ብጐደናታት ትሓልፍ። ነቲ እቶም ክርስቲያናት ኣሕዋታ ብሕቡእ ዝእከቡሉ ገዛ ስለ ትፈልጦ “ ጓሓፍ ዶ ኣሎኹም” ኢላ ኣብ ማዕጾ እቲ ካንሸሎ ደው ኢላ ትሓትት። ሓደ ሰብ ነቲ ካንሸሎ ከፊቱ ወጺኡ “ ቁሩብ ጓሓፍ ኣሎና በጃኺ ወሲድኺ ጓሓፍልና” ይብላ። ነቲ ሒዛቶ ዘላ እንዳ ጓሓፍ ሒዛ ንውሽጢ ትኣቱ። እቶም ኣብኡ ዝተሓብኡ ኩሎም ንፈቤን ምስ ረኣዩ ብታሕጓስ ተፈንጪሖም ዝነበሮም ንብዓት ይጸርጉ።

ሽዕኡ ኣብ ውሽጢ'ቲ እንዳጓሓፍ ኣብ ታሕቲ ብሸሓኒ ቆጺራ ዘምጽኣትሎም ጥጥኞ፣ ቆሎ፣ ብጸሎት ባሪኾም ይምገቡ። ፈቤን ብዝመጽኦም መከራ ኻኽጸንዑ ትመኽሮምን ተጸናንየምን። ድሕሪኡ ነቲ እንዳጓሓፍ ተሰኪማ ወጺኣ ናብ ካልኦት ተሓቢኦም ዘለዉ ክርስቲያናት ተምርሕ።

ዳግማዊ ግን ዝጥርጥሮ ስለ ዘየብሉ ናብ ግበበ ምድር (ካታኮምብ) ዝጻወት መሲሉ ከይዱ ማይን መግብን የብጽሓሎም። ብፍላይ ከኣ ፡-

- ናይ ሮሙለስ ሃገር ናይ ቄሣር ሓውልቲ፣
- ሮማ ኣባኺ እዩ ኣብቂዑ ናይ ዓለም ምኻና ውቅብቲ፣
- ዜጋታትኪ ሰገናት ስራሕኪ እውን እዩ ዘደንቕ፣
- ሮማ ኣቲ ፀሐይ ሮማ ኣቲ ምብራቕ፣

እናበለ መንገዲ መንገዲ ክዝምር ምስ ሰምዕዎ፣ ወተሃደራት ሮማ እውን ከይተረፈ ናይ ሕፃንነት ልሱልስ ድምፁ እናሰሓቦም ሐቕፎም ይስዕምዎ። ብኹሉ ጐደናታት ሮማ ነታ “ሮማ ኣንቲ ፀሐይ” ዝብል መዝሙር እናዘመረ ክጓዓዝ እንከሎ ዝሓቶስ ይትረፍ ገጹ እኳ ዝኣስረሉ ሰብ ኣይነበረን። ዳግማዊ ቀስ እናበለ ኻኽተማ ሮማ ለቒቕ ናብቲ ተሓቢኦምሉ ዘለዉ ግበ ምድር (ካታኮምብ) ክኸይድ ከሎ እቶም ኣብ ውሽጢ ጫካ ተሓቢኦም ሰብ ዝጽበዩ ተቐበልቲ ስንቂ ክርስቲያናት ናይ ሐጐስ ንብዓት እናኣንጠብጠቡ ይቕበልዎ። ናብቲ ካታኮምብ ውን የእትውዎ እሞ እቶም ኣብ ትሕቲ በዓቲ ዘለዉ ክርስቲያን ንእግዚኣብሔር በዚ ሕፃን እዚ ኣቢሉ ንዝገበረሎም ለውሃት እናኣመስገኑ ሓቕፎም ይስዕምዎ። ዳግማዊ መጺኡ እንተድኣ ተባሂሉ ነቲ ሒዞምዎ ዝነበሩ ስራሕ ሐዲጎም ነቲ ጥዑም ቃሉ ክሰምዑ ይእከቡ። ኮለንትናኡ ንቅዱስ ጳውሎስ ማለት ብኣካል ዝወለዶ እምበር ካብኡ ዝተማህረ ኣይመስልን። ክነግሮም እንከሎ ልክዕ ነቲ ቅዱስ ጳውሎስ ዝነገሮ ናይ ኣዘራርባ ላህዩ (ጣዕሙ) እናተጠቕመ ክዛረብ እንከሎ ንዝሰምየ ዘበለ ወዲ ኃሙሽተ (፭) ዓመት ሕፃን ዘይኮነስ ነቲ ዓቢ ቅዱስ ጳውሎስ እዩ ዝመስል።

ነዚ ኩሉ ምስ ወድኡ ንሮማ ክምለስ እንከሎ ካብ ፍቕሩ ዝተላዕለ ክሳብ እቲ ዶብ ከተማ ሮም ሓቕፎም የፋንውዎ ነበሩ። ካብቲ ዶብ ሐሊፉ “ሮማ እታ ፀሐይ” ዝብል መዝሙሩ እናዘመረ ናብቲ ዋና ጐደና ክኣቱ እንከሎ ሓንቲ ጓሓፍ ዝተሰከመት ሰበይቲ ረኸበ። ሽዕኡ ንዕኣ ደድሕሪኣ እናሰዓበ ናብቲ እትኸዶ “ ሮማ እታ ፀሐይ” እናበለ ክጓዓዝ እንከሎ እቲ ድምጹ ነቶም ሓለፍቲ መንገዲ ኻኹሎም ልቦም የንድዶም ነበረ። እታ ጓሓፍ ዝሓዘት ሰበይቲ “ኣቱም ገዛ ጓሓፍ ዶ ኣሎኹም” ኢላ ምስ እትሓትት “እወ እተዊ” ዝብል መልሲ ረኸበት። ናብቲ ካንሸሎ ክትኣቱ እንከላ ደድሕሪኣ ይኣቱ። ፈቤን ነቲ ዝሓዘቶ እናጓሓፍ ኣቕሚጣ እናነብዐት ሐቕፋ ትስዕሞ። ሽዑ ዳግማዊ ኣብ ማእከል

እቶም ሰብ ገዛ ኮፍ ኢሉ ብዛዕባ ናይ ግበ ምድር ዘለዉ ኣሕዋት ክርስቲያን የዘንትወሎም።
ናይ ኔሮን መኪንንቲ ብሰንኪ ፈቤንን ወዳን ብጣዕሚ ተጨኒቆም ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ቦታ ተራእያ ኢሎማ ኢሎም ይጸናጸንዋ እሞ ኣይረኽብዋን። ሮማውያን ንፈቤን ምስ ወዳ ንምሓዝ ካብቲ ቅድም ዝነበረ ፈታሽን ሓለዋን ምግባር - መሩ።
ሲሞን ዝተባህለ ሰብ ብናይ ሮማ ክርስቲያን ዝተፈልጠ ምስ ወተሃደራት ሮም ብዘለዎ ምትእስሳር ስለዘይጥርጠር ማለት ገዝኡ ንክርስቲያናት መዕረፊ ክኾኖም ዝሃበ ሰብ እዩ።
እዚ ከምዚ ኢሉ እንከለሎ ንጉሥ ኔሮን ምሓዛ ምስ ሰኣነ ከምዚ በለ። “ ነዛ ሰብ እዚኣ ብኢድ ሒዙ ንዘምጽኣለይ ጓለይ ክህቦ እየ፡ ኢሉ ኣዋጅ ኣወጀ። እቲ ቤቱ ንክርስቲያናት መዕረፊ ሂቡ ዝነበረ ሲሞን ነዚ ናይ ኔሮን ነገር ምስ ሰምዐ ልቡ ናብ ክልተ ተኸፍለት “ ንጓል ንጉሥ ኔሮን ምምርዓው እንተወሓደ ካብ ግዝኣት ሮማ ሓደ ዓቢ ርስቲ ወይ ሽመት ክረኽብ እየ።” ክርስቲያን ምኻን ድማ ትርፉ መከራን ስቓይን እዩ። እቲ ዝርከብ ርስቲ ከኣ ኣብ ሰማይ ምኻኑ ክሓስብ እንከሎ ሰይጣን ኣሰሓሒትዎ ንፈቤን ከኣ ኣይኮነን ዶ ተዓዲማስ ብሕቡእ እናኸደት ውን እንተኾነ እትፍጽሞ ስርሒ እዩ። በታ ዕለት እቲኣ ንዳግማዊ ናብ ካታኮምብ ከይዱ ስለዝነበረ ኣይረኸቦን።
ሽዕኡ ሲሞን ወተሃደራት ሮማ ሴፍን ጉራደን ኣዕጢቑ ኣብ ውሽጢ ቤቱ ሓቢኡ ኣጽኒሑ ንፈቤን ኣትሓዛ። እቶም ወተሃደራት ክሳብ ዝደኽሙ ኩሉ ኣካላታ ክሳብ ደም ዝኸውን ከትከትዋ። ከም ተመን እናቕጥቀጡ፡ ኣብ ቅድሚት መለኸት እናነፍሑ ሒዞማ በቲ ጎደና ሮማ ወጽኡ።
“ እታ ውርይቲ ፈበን እትበሃል መራሒት ክርስቲያን ስለዝተታሕዘት ኩሎም ተቕማጦ ሮማ ናብ ኣደባባይ ወጽኡ ”። እቲ ኣብ ቅድሚት ዘሎ ነፋሒ መለኸት ኣብ በሪኽ እናወጽአ ድምፁ ከም ዝስማዕ ጌሩ ይነፍሕ ነበረ።
ነቲ ጅግንነታ ዝሰምዑ ኩሎም ብስምባደ ወጺኦም ኣብ ወሰን ጎደናታት ተኣከቡ። ቅድስት ፈቤን ገጻ ብደም ተሸፊኑ ክዳና ተቐዲዱ እቲ ጉራደ ዝሓርፈፎ ሰብነታ ደም ነዚዉ ምስ ረኣይዋ ሮማውያን ብብኽያት ዓ- ብዋ።
መኪንንቲ ሮማ ግን ንንጉሥ ኔሮን ብሠረገላ ዓጂቦም እናሰሓቑ ይሓልፉ። ንቅድስት ፈቤን ከኣ እናተበራረዩ ይረግጽዋ ነበሩ። ንሳ ካብ ብዝሒ ድኻም ዝተላዕለ ትወድቕ እሞ ኣብ ሕቑኣ ኣሲሮም ከም ሬሳ ከልቢ እናንሰሱ ወሰድዋ። ካብ ቆርበታ ዝተረፈ ኣይነበረን፡ ሰብ ምኻና ከኣ ብቕርጻ ጥራይ እያ ትፍለጥ።
ንጉሥ ኔሮን ኣብ ዝፋኑ ተቐሚጡ ናብ ቅድመይ ኣቕርብዋ በለ። እናንሰሱ ከኣ ናብ ቅድሚኡ ኣቕረብዋ። ንሱ “ፈቤን ሓደ ዕድል ክህበኪ ነዚ ናይ ጆፒተር ኣምላክነትን ናተይ ዕ ቤትን እንተድኣ መስኪርኪ ብዝበለጸ ክብሪ ኣብ ሮማ ክትቕመጢ ኢኺ” በላ። ንሳ “ ከምቲ ንሸኻ ናብ ማጎፀን ኣደኻ ኣቲኻ ሕጂ ክትውለድ ዘይትኽእል ኣነ ፈቤን ከኣ ኣብ ዓለም ኣትየ ብኃጢኣት ክውለድ ኣይኽእልን እየ” በለቶ። ንሱ ብቑጥዐ ገጹ ተንቀጥቀጠ። ክቕጥቅጥዋ ከኣ ኣዘዘ። ሕይወታ ንሞት ክሳብ ትቕርብ ከትከትዋ። ክትመውት ምስ ቀረበት ሰንከልከል ኢላ ኣብ ኣእጋር እቶም ዝኽትክትዋ ወደቐት።
ሓደ ካብቶም ኣማኸርቲ ንጉሥ “ ሓንሳብ ዕድል ንሃባ ካብ ንቕትላ እንተ ኣስለኽናያ ይሓይሽ” በለ።
ሽዕኡ ጓሲሶም ኣተንሥእዋ እሞ ቀስ እናበለት ነፍሳ ፈለጠት እቲ ኃላፊ ከምዚ በላ፡- “ በዚ ኣሰካሒ ዝኾነ ኣማውታ ካብ ትሞቲ ነቲ ክርስቶስ እትብሊዮ ዘሎኺ ክሓድዮ እሞ ብሰላም ንበሪ” ንሳ “ ኣታ ሓወይ ክርስቶስ እኮ ከም ክዳን ኣብ ዝደለኻዮ ግዜ ዝቀያየር ኣምላኽ ኣይኮነን። ናተይ ኣብ ክርስቶስ ዘሎኒ እምነት ምስ ደም ዝተዋሃሃደ ነፍሲ እዩ። ዋላ ንሸኻ ንሥጋይ እንተ ቕተልካያ ንነፍሰይ ክትቀትላ ዓ ቕሚ የብልካን” በለቶ። ንሱ “ ንምንታይ ድኣ እቲ እትኣምንዮ ኣምላኽ ካብ ኢደይ ዘየናግፈኪ” በላ። ንሳ “ ንዓ ይ ምንባር ዘይኮነ ምሟት ውን ክብረተይ እዩ ” በለቶ።
<u>ዳግማዊ ጳውሎስ ወዳ</u> ድማ እዚ ኩሉ ስለዘይፈለጠ ንፈቤን ኣዲኡን ከምቀደሙ ዝረኽባ መሲልዎ እንተኸደ ክረኽባ ኣይከኣለን “ ሎሚ ድኣ ኣደይ እንታይ ኮይና” እናበለ ንብዓ

ቱ ብምዕጉርቱ እናፈሰሰ ናብ ውሽጢ ሮማ ኣምርሐ፡ ግን ኣይረኸባን። የማነ ጸጋም ውን ሰብ ዝበሃል ኣይረኸበን። ኣብ ማዕዶ ኮይኑ ግን ነቲ ዘትሓዛ “ሲሞን” ረኣዮ እሞ ብታሕጓስ እናጮየየ ከይዱ ኣብ እግሩ ተጠምጠሞ።

“ ኣደይ ከ ድኣ ኣበይ ኣላ ኢሉ ሓተቶ።” ሲሞን ኣብ ገዛና ኣላ እናበለ ሐቑፉ ናብቲ ንጉሥ ኔሮን ዘለዎ ኣደባባይ ወሰዶ። ዳግማዊ እዚ ተኣኪቡ ዘሎ ሕዝቢ ድኣ እንታይ ዝኾነ እዩ ኢሉ ሓተቶ። ሲሞን ሓደ ካብ ሃገረ ቆሮንቶስ ዝመጽኦ ሰባኺ ሓዋርያ ይሰብኽ ስለዘሎ ይሰምዑ እዮም ዘለዉ ኢሉ ኣታለሎ። ዳግማዊ “ ኔሮን ስብከተ ወንጌል ከይስበኽ ከልኪሉ ዶ ኣይበልኩምን” በሎ። ንሱ ኔሮን ኣይፈለጠን ኢሉ እናኣታለለ ናብቲ ውሽጢ ሒዝዎ ኣተወ።

ዳግማይ “ እታ ትግረፍ ዘላ ሰበይቲ መን እያ፧ ” በሎ። ሲሞን ሓንሳብ ጽናሕ ክትርእያ ኢኻ፡ ሓንቲ ሠራዊት ሰበይቲ እያ በሎ። ዳግማይ “ ኣደይ ከ ኣበይ ኣላ፧” ሲሞን ኣላ ጽናሕ ክትርእያ ኢኻ። ኣብ መወዳእታ ናብ ዙፋን ንጉሥ ሒዝዎ ቀረበ። ሽዑ ኔሮን ንፈቤን ስምዒ ነዚ ወድኺ ቆራሪጸ ንኣሞራ ቅድሚ ምሃበይ ትእዛዘይ ፈጽሚ።

ዳግማይ ነዲኡ ኣደ ንክርስቶስ ከሐዲዮ ዲዮም ኢሎሙኺ፧ ኣነ ውን ምእንቲ ክርስቶስ ክመውት እየ። ኣጆኺ ኣደይ ኣይትፍርሂ ብሥጋ እንተ ሞትና ብነፍሲ ኣይንመውትን ኢና ኢሉ ኣባራትዓ። ኣብ ከባቢኡ ኮይኑ ዝሰምየ ዝነበረ ወተሃደር ብእግሩ ምስ ወቐየ ንላዕሊ ጥር በለ እሞ ኣብ ልዕሊ በሊሕ እምኒ ወዲቑ ርእሱ ተፈግአ። ብልሓት ናይቲ እምኒ ዝበዝሐ ክፋሉ ኣብ መንበስበስታኡ ስለ ዝረኸቦ ከኣ እታ መሬት ብደሙ ተለውሰት።

ዳግማዊ ኣብ ዝወደቐሉ ኮይኑ ነዲኡ “ ኣደይ ኣጆኺ በርትዒ ጳውሎስ እኮ ክርስቶስ ኣብ ቀራንዮ ልክዕ ብኸምዚ ተኸላቢቱ እዩ ኢሉኒ፡ እዩ እሞ ኣጆኺ ” በላ። ንዓይ ከኣ ኣብ ሰማይ ብርሃን እርኣየኒ ኣሎ። እዚ ጸጋ እዚ ከይሓለፈና ኣጆኺ ኣይትፍርሒ።

ቅድስት ፈቤን ናብ ኣምላኽ እዚ ኩሉ እናተጻዕረት “ ዝገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ ይቕረ በለሎም ኢላ ምእንትኡም ጸለየት። ኣብ መወዳእታ ኔሮን ኀኽልቲኡም ክሳዶም ብሰይፍ ኣቕሪጹ ቀተሎም። (ግ.ሓዋ ፮፥፰)

ኵሎም እቶም ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ሰባት ንብዓት ገዲፎም ደም በኸዩ። እቲ ዝረኣየ ሕዝቢ ዝበዝሐ ብኣምላኽ ፈቤን ንኣምን ኢሉ ኩሉ ክርስቲያን ኮነ። ኔሮን ጥራይ ኢዱ ተረፈ።

ጸሎቶምን በረኸቶምን ምስ ኵላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ለዓለመ ዓለም ኣሜን።

ምንጪ፡- ኦ ሩፊኖስ ኣነ እውን'ዚ ታሪኽ''ዚ ዝጸሓፍክዎ እናነባዕኩ እየ ኣብኡ ኣብ ጥቓ ኣደባባይ ሮም ኮይነ እየ። ደሓን ኩነለይ ካብ ተርቢኖስ ፈታዊኻ።

***ካብ ጸሐፍይ ታሪኽ ተርቢኖስ***

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ሰማዕት ቅድስት መሪና

ናይ ቅድስት መሪና ኣቦኣ ዳኬዎስ ዝተባህለ ኣብ ሃገረ ኣንጸኪያ ናይ ካህናተ ጣዖት ሓለቓ ነበረ፡ እቲ ንጉሥ እውን ሞኽሱ ከሓዲ ዳኬዎስ ይብሃል ነበረ።

ቅድስት መሪና ጓል ፭ (5) ዓመት ምስ ኮነት ኣዲኣ ስለዝሞተት ኣቡኣ ካብ ከተማ ወጺኣ ንእትነብር ሞግዚት መዕበይት ሃባ፡ ንሳውን ክርስቲያን ስለዝነበረት ናይ ክርስትና ሃይማኖት ብግቡእ መሃረታ። ጓል ፲፭ (15) ዓመት ምስ ኮነት ኣቡኣ ዳኬዎስ ሞተ።

ድኅሪኡ ናይ ሰማዕትነት ተጋድሎ ተሰሚዕዋ ፍቕሪ ክርስቶስ ኣብ ልባ ሓደራ እሞ ብሰማዕትነት ክትዓርፍ ደለየት።

ኣብዚ እዋንዚ ከሓዲ ዝኾነ መኰንን ናብታ ሃገር መጺኡ ንቅድስት መሪና ካበይ ወገን ከምዝኾነት ሓተታ። ንሳ ካብ ወገን ክርስቶስ ክርስቲያናዊት ከምዝኾነት መለሰትሉ። መልክዓን ቁንጅንኣ ብምርኣይ ክዕገስ ስለዘይከኣለ ብብዙኃት ነገራት ከታልላ ፈተነ፡ ንሳ ግና ንእዑን ንጣየታቱን ረገመቶም።

ሽዑ ብናይ ሓፂን ዘንግታት ክኽትክትዋን ህዋሳታ ክቑራርጽዋን ኣዘዘ። ንሳ ግና ናብ እግዚኣብሔር ጸለየት። ቅዱስ ሚካኤል መጺኡ ካብቲ ኩሉ መከራ ኣድኃና።

ንካልኣይ ግዜውን ናብ ቤት ማእሰርቲ ምስ ኣእተውዋ ጐይታ ናብ ሰማይ የዕሪጉ ናይ ሰማዕታት። ቅዱሳንን ጻድቃንን መንበሪ ኣርእዩ ናብ ቦትኣ መለሳ። ብድጎሪኡ ንሥግኣ ብመጋዝ ክትጭደድን ጎድና ክትሰናጠቕን ድጎሪኡውን ናብ ቤት ማእሰርቲ ክድርብይዋ ንልኡኻቱ ኣዘዘ። ሕጂውን ቅዱስ ሚካኤል መጺኡ ኣድኃና።

ኣብ ቤት ማእሰርቲ እናጸለየት ከኣ ሓደ ዓቢ ገበል ናብኣ መጸ። ምስ ኣበየቶ ወይ ምስረኣየቶ ምስበለቶ ፈርሀት። ኩሉ ሰብነታ ተንቀጥቀጠ ምዝራብውን ሰኣነት፡ ኣእዳዋ ብትእምርተ መስቀል ከምዝዘርግሐት ከምኡውን ብልባ እናጸለየት ከላ ወሓጣ ብኡ ንብኡ እቲ ገብል ከብዱ ተጨዲዱ ብዘይ ሓደ ጉድኣት ወጸት ንእግዚኣብሔር ከኣ ኣመስገነቶ። ካልእ ግዜ እውን ሰይጣን ጸልማት ለቢሱ ረኣየቶ፡ ኣእዳዉ ኣብ ልዕሊ ኣብራኹ ተጨቢጡ ነይሩ። ኸዉ ገጻ ብትእምርተ መስቀል ኣማዕቲባ ርእሱ ዘበጠቶ። ብኣእጋራውን ረገጸቶ።

ኣብዚ ግዜዚ ናይ ጐይታ ዕፀ መስቀል ተገልጸላ፡ ኣብ ልዕሊኡ ከኣ ጻዕዳ ርግቢ ተቐሚጣ ረኣየት። "ኣ መሪና ናይ መንፈስቅዱስ ጸጋ ዕርቡን (ዓረቦን) ተቐቢልኪ ኣሎኺ እሞ ባህ ይበልኪ" በለታ፡ ንጽባሒቱ እቲ ርጉም መኰንን ክዳና ገፊፎም ቁልቁል ኣፋ ሰቒሎም ንኽቃጽልዋን ውዑይ ማይ ኣብ ዝመልኣ ዓቢ ፊስቶ (በርሚል) ኣእትዮም ክጥጥቕዋን ኣዘዘ። ንሳ ኣብ ውሽጡ ኮይና እናጸለየት ከላ ካብ ሰማይ ሓንቲ ፃዕዳ ርግቢ መጺኣ ካብ ኣፋ ወርቃዊ ኣኽሊል መእሰሪ ፈቲሓ ብስም ኣብ ወወልድ ወመንፈስቅዱስ ሠለስተ ግዜ ኣጠመቐታ። ንሳ ንእግዚኣብሔር እናመስገነት ካብቲ ማይ ወጸት። እቲ ርጉም መኰንን ከምዝደሓነት ምስረኣየ ርእሳ ብሴፍ ክቐርጽዋ ኣዘዘ። ናብዚ ዓቢ ክብሪ ሰማዕትነት ዘብጸሓ ክርስቶስ ብፍቕሪውን ዝተቐበላ ጸለየት። ጐይታ ከኣ ተገለጸላ።

## ቃል-ኪዳን

ስማ ዝጸወዐ መዘከርትኣ ዝገበረ መጽሓፈ ገድላ ዘንበበ ዝጸሓፈ ዝሰምዐ ኃጢኣቱ ከምዝሥረየሉ ኣብቲ ንሳ ዘላቶ ቦታ ከምዘእትዎ ምሉእ ቃልኪዳን ሃባ፡ ሰማዕት ቅድስት መሪና ክሳዳ ብሴፍ ተሰይፋ ዕለት 15 ሓምለ ዓረፈት፡ ኣብ መቓብራ ብዙኅ ተኣምራት ብምርኣይ ብዙኃት ሰባት ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ ኣመኑ።

***ናይ ሰማዕትነታ በረኸት ንኹሉትና ሕዝበ ክርስቲያን ይሓልወና፡ ሰንክሳር ዕለት ጸሊ ሓምሌ።***

- ሰላም ለመሪና ገባሪተ ኃይል ወመንክር፡
- ለእለ ይጼውዑ ስማ ውስተ ኵሉ ብሔር፡
- ኃይለ ሰማያት ኑሚኣ እንዘ ይእቲ በምድር፡
- እስመ ነጽሐቶ ወቀሠፈቶ ለሰይጣን ህሙር፡
- ወለከይሲ ኬደቶ በእግር።

✠ ✠ ✠

## ሰማዕት ቅድስት ኣውዶክስያ

እዛ ቅድስት ኣደ እዚኣ ትውልዲ ሃገራ ሳምራዊት ብፍላይ ከኣ በልበክ ከባቢ "በሰራ" እዩ። ዝነበረትሉ ዘመን ዘመነ ንጉሥ ጢባርዮስ ንጉሠ ሮም ኮይኑ ስም ኣቡኣ "ዮናስ" ሽም ኣዲኣ ከኣ "ጠባብት" ይበሃል።

ምሉእ ሕይወታ ከኣ ኣብ ናይ ዝሙትን ርኽሰትን ግዜ ተሕልፎ ነበረት። ምእንቲ ንሰባት ከተስሕት ከኣ ጽቡቕ ወርቃዊ ክዳውንትን ጽቡቕ ጌጻጌጽ ዘለዎም ጫማታትን ቅብኣ ቅባኢ ናይ ገጽን ብምጥቃም ብልጭልጭ ትብል እሞ ብዙሓት ሰባት ከኣ ተስሕት ነበረት።

ሓደ ዓቢ ባሕታዊ መነኮስ ናይ ኢየሩሳሌም "ግርማኖስ" ዝተባህለ ሓንታኣ ዝሰምዐ ልክዕ በኣምሳለ ዘማዊ ኮይኑ ናብኣ መጺኡ ነገረ ድሕነት ማለት ናይ ጻድቃንን ኃጥኣንን ነገራ። ቅድስት ኣውዶክስያ እዚ ኩሉ ምስ ነገራ "ናይ ብሓቅካ ዲኻ እዞም ኩሎም ሬሳታትን ምውታትን ክትንሥኡን ክጸድቁን ኢላ ሓተተቶ። ንሱ ከኣ ካብ መጻሕፍተ ኣሪት ይኹን ካብ ሓዲስ ኣረድኣ። እቲ ቃላቱ ከኣ ልባ ተንከፈ። ብእምነት እውን ተቐበለቶ"። በል እሞ ንዓይ እዚ ኩሉ ግብረ ዝሙት እፍጽም ኔረስ ክምሕረኒ ዶ ይኽእል እዩ፡ በለቶ። ቅዱስ ግርማኖስ ብጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ሰማይ ምውራዱን፡ ምውላዱን ጥምቀቱን ስብከቱን፡ ሞቱን ትንሣኤኡን፡ ዕርገቱን ዳግም ምጽኣቱን ኣሚንኪ እንተተጠሚቕኪ ልክዕ ከምዚ ሎሚ መዓልቲ ዝተወልደ ሕፃን ዋላ ሓንቲ ኃጢኣት ዘይብሉ ክትኮኒ ኢኺ። ኣብ መንግሥተ ሰማያት ከኣ ስምኪ ክጸሓፈልኪ እዩ በላ።

ኸዉ ኀኹጥምቕ ብምሉእ ልባ ኣሚና ሓተተቶ። ንሱ ናብቲ ናይ ሃገረ "በልበክ" ዝነበረ ጳጳስ ወሲዱ ኣነስሓን ኣእመናን ኣጠመቕን።

እግዚአብሔር ከኣ ኣዒንቲ ልባ ከፈተላሞ መልእኽ እግዚአብሔር መጺኡ ናብቲ ናይ ጥምቀት ቀላይ ሰሒቡ ክወስዳ ከሎ ተገልጸላ። ከምኡ እውን ቁጽሪ ዘይብሉም ኣእላፈ ኣላላፋት መላእኽቲ ብናታ ምምላስን ምእማናን ምጥማቕን ክሕጐሱ ከለዉ ተራእይዋ። ከምኡ እውን ጸለምቲ ዝኾኑ ኣጋንንቲ ረኣየት። ነዚ ኩሉ ራእያት እዚ ምስ ረኣየት እቲ እምነት ኣጸቡቕ ተሰምዓ። ነቲ ብዝሙትን ርኽሰትን ዘጥረየቶ ኩሉ ንብረታን ገንዘባን ሽልማታን ከኣ ንነዳያን፣ ንደኻታት፣ ንለመንቲ ዘይብሉም ስኡናት መጽዊታ ኣብ ሓደ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ገዳም ኣትያ ፈለሰት (መንኰሰት)። ዓባይ ተጋዳሊትን ጸዋሚትን ጸላይትን ኣደ ኮነት እሞ ጸላኤ ሠናያት ስለ ዝቐንኣላ ካብቶም ኣቐድም ኣቢሎም የዕሩኻ ዝነበሩ ኣጉባዝ መንእሰያት ሓደ መንእሰይ ናብቲ ሽዑ ዝነበረ ንጉሥ ከሰሳ። እንተኾነ እግዚአብሔር ኣብቲ ቤተ መንግሥቲ ሓደ ጽቡቕ ቆልዓ ወዲ እቲ ንጉሥ ሞይቱ ይልቀስ ነበረ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ትጽሊ እሞ ነቲ ዝሞተ ወዲ ንጉሥ ካብ ሞት ተተንሥኡ። እቲ ንጉሥ'ውን እግዚአብሔር ዘይፈልጥ ከሐዲ ዝነበረ ኣመነን ተጠመቐን። ብድሕሪኡ ከኣ ካልእ ንጉሥ "ዲዮግኖስ" ዝተባህለ ነገሠ'ሞ ንጣያት ኩተምልኽ ምስሓተታ ኣብ ገዝኡ ሓንቲ ዝዓይኑ ሰብ ነበረ። ንዕኡ እውን ብጸሎታ ክልተ ኣዕይንቲ ከምዝህልዎ ገበረት። እቲ ክቐትላ ዝሓሰበ ንጉሥ ከኣ ፈነዎ። ድሕሪኡ እውን ሣልሳይ ግዜ "በከኒቶስ" ዝተባህለ ሓደ ኣረሚናዊ ንጉሥ ነገሠ። ንሱ ኣውን ክቐትላን ናብ ጣዖቱ ከስግዳን ኣሰራ። ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ብጸሎት ንጐይታ ምስ ቅዱሳን ሰማዕታት ክሕውሳ ለመነቶ። እቲ ኣረሚናዊ ዝኾ፱ ንጉሥ ከኣ ምእማን ምስ ኣበየቶ ኣዝዩ ምስ ተሐለለ ብሰይፊ ክሳዳ ሰይፉ (ቆረጸ)። ብዕለት ፮ መጋቢት ኣኽሊለ ክብር ተቐቢላ ዓ ረፈት።

ኣብቲ ግዜቲ ንጐይታ ምስ ቅዱሳን ሰማዕታት ክሕውሳ ብጸሎት ለመነቶ።

***ጸሎታን በረኸታን ምስ ኵላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።***

ሰላም ለአውዶክስያ ከመ ትፍዲ ፍዳ፡

- በመጥባህት በሊህ እስከ መተሩ ክሳዳ፡
- እስመ ተሊወ ጽድቅ አብደረት ወሃዲገ እኩይ ልማዳ፡
- ነጸረት ለተጠምቆ ውስተ ቀላየ ማይ ያውርዳ፡
- እንዘ ይስህባ መልአክ ቀዊሞ በዓውዳ።

***መጽሐፈ ሰንክሳር ዕለት ፮ መጋቢት እዩ።***

◆ ◆ ◆

## ሰማዕት ቅድስት ጲላግያ ዘኣንጾክያ (በዓልቲ ኣንጾክያ)

ሰማዕት ቅድስት ጲላግያ ሃገራ ኣንጾክያ ኾይኑ ምስ ቤተ ሰባ እንከላ ወተሃደራት ኀኸራኽስዋ ምስ ከበብዋ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ክብረ ንጽሕናኣ ኣሕዛብ ምእንቲ ከየራኽስዋ "ነፍሰይ ንፈጣርየይ ኣሕሊፉ እህብ ኣሎኹ" ኢላ ዓል ፲፭ (15) ዓመት ከላ ካብቲ ናይቲ ቤት መስኮት ዘሊላ (ተወርዊራ) ኣብቲ ጕቦ ገዝኣ ዝርከብ ባሕሪ ብምእታው ብ፫፻፲፩ ዓ.ም (311 ዓ.ም) ብሰማዕትነት ዓረፈት።

***ጸሎታን በረኸታን ምስ ኵላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።***

***ሰንክሳር ዕለት ፲፩ ጥቅምቲ እዩ።***

✠ ✠ ✠

## ሰማዕት ቅድስት ጲላግያ ዘጠርሴስ (በዓልቲ ጠርሴስ)

ሰማዕት ቅድስት ጲላግያ ደብረ ዘይት እናተባህለ ኣብ ዝጽዋዕ ጎቦ (እምባ) ብብሕትውናን ብድንግልናን ተወሲና ክትነብር እንከላ ናይ ንጉሥ ወተሃደራት ንንጉሥ ሰበይቲ ኀኽትከውን ኣብ ዝሓተትዋ ንሳ ኣይከውንን እዩ ብምባል ብሓዊ ኣቓጺሉም ቀተልዋ።

***ጸሎታን በረኸታን ምስ ኵላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን።***

## ታሪኽ ሰማዕት ቅድስት ክርስጢና

ቅድስት ክርስጢና ኣቦኣ ጣየታት ዘምልኽ ዝነበረ መኰንን ኮይኑ ርባኖስ ይበሃል። ንሱ ንጓሉ ብጥብቂ ኣምልኾ ጣየት ይምህራ ነበረ። ንሳ'ውን ንትምህርቲ ኣቦኣ ሒዛ ተጽንያ ነበረት።

ሓደ መዓልቲ ሓሲባ ክትመራመር ጀመረት። ኣብ ልባ'ውን ፍርሓት እግዚኣብሔር ሓደረ ተንሚኣ ድማ ገጻ ናብ ምብራኾ ገይራ በለት ንእትጉዓዞ ናይ ሕይወት መንገዲ ክመርሓ፡ ክገልጸላ ናብ ኣምላኽ ጸለየት። መንፈስ ቅዱስውን ሓድነቱን ሠለስትነቱን ገለጸላ።

ኣቦኣ መጺኡ “ጓለይ ከመይ ኣሊኺ” በላ። በቲ ክቡር ዋናይ ብናይ ክርስቶስ ሕይወት ጽቡቕ ኣለኹ” በለቶ። ኣቦኣ ነዚ ነገር'ዚ ሰሚዑ ደንገጸ።” ንልብኺ እንታይ ለወጠ” በላ። ንሳ'ከኣ በቲ ሰማያዊ ኣምላኽ ተማሪኸ” በለቶ። ድሕሪኡ ኣቡኣ እናሓዘነ ከደ። ንሳ ድማ ተንሚኣ ናብ እግዚኣብሔር ጸለየት። በታ ግዜ እቲኣ ድማ መልኣኽ እግዚኣብሔር መጺኡ ከምዚ በላ፡ “ በርትዒ። ብሠለስተ መኪንንቲ ክትሳቐዪ ኢኺ ” ኢሉ ብብርሃናዊ መስቀል ኢየሱስ ክርስቶስ ባረኻ። ሰማያዊ ሕብስቲ ድማ ሃባ። ድሕሪኡ ተንሚኣ ናብቲ ጣየታት ዝነበርዎ ቦታ ኣትያ ሰባበረቶም። ኣቦኣ ነዚ ርእዩ ብተግባራ ተቓጥዐ። ክገርፍዋ ድማ ንወተሃደራቱ ኣዘዞም እሞ ገረፍዋ። ካብ ሥጋኣ ግን ኣብ ክንዲ ደም መዓር ወጸ። ካልኣይ ድማ ኣብ ሓጺን ዓራት ኣደቂሱ ብትሕቲኣ ሓዊ ከንድዎ ኣዘዘ።

እቲ ሓዊ ንዓኣ ገለ ከይተንከፈ ንብዙሓት ኣረማውያን ኣቃጸለ። ደጊሙ'ውን ብገመድ ኣሲሮም ናብ ባሕሪ ክድርብይዋ ኣዘዘ። ኣብቲ ባሕሪ ከላ ኣብ ዝጸለየትሉ ግዜ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ቅዱስ ሥግኡን ክቡር ደሙን ብጉሓት ኣቑበላ። ካብ ርስሓት ጣየታት ድማ ኣንጽሃ። በታ ለይቲ እቲኣ ድማ ኣቡኣ ርባኖስ ሞተ።

ድሕሪኡ ድዮስ ዝበሃል ካልኣ መኮንን መጸ። ንቅድስቲ ክርስጢና ኣምጺኡም ዕርቃና ኣውጺኡም ጥራይ ነብሳ ክሰቕልዋ ብትሕቲኣ ድማ ሓዊ ከንድዱ ኣዘዘ። ኣንስቲ ዕራቓ ምስ ረኣያ ነቲ ንጉሥ ረገምኣ። ንሱ'ውን ንዓኣተን ብሰይፊ ከም ዝምተራ ገበረ። ንዓኣ ግን እቲ ሓዊ ዋላ ሓንቲ ኣይጐድኣን። ነዚ ተኣምር'ዚ ርእዮም 3012 ሰባት ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣመኑ። ብሰማዕትነትውን ዐረፉ። እቲ ከሓዲ ድዮስ'ውን ሃንደበት ሞተ።

ሣልሳይ መኰንን መጸ ነታ ክብርቲ ክርስጢና ሒዙ ንኣማልኽቱ ክትስውዕ ክሓባብላ ፈተነ። ንሳ ድማ ከምዚ በለቶ ንሸኻን ኣማልኽትኻን ናብ'ቲ ዘይጠፍእ ዘለዓለማዊ ገሃነመ እሳት ክትወርዱ ኢኹም። ንሱ'ውን ብጣዕሚ ተቈጢዑ ናብ ሃልሃልታ ሓዊ ክድርብይዋ ኣዘዘ። ዋላ ሓንቲ ጉድኣት ድማ ኣይወረዳን።

ደጊሙ'ውን ናብ ኣራዊት ክድርብይዋ ኣዘዘ፡ ንሳቶም'ውን ጸበል እግራ ለሓሱ፡ ነቲ ተመን ዝፍንወላ ዝነበረ ኻኽስዎ። ንሱ ድማ ሸዑ ንሸዑ ሞተ። ካብኡ ቀጺሎም መልሓሳን ኣጥባታን ቆረጽዋ። ነቲ ቁራጽ መልሓሳ ኣልዒላ ነቲ መኰንን ናብ ዓይኑ ደርበየትሉ። ንሱ'ውን ኣዒንቱ ዓወረ። ብቕጥዓ ተመሊኡ ድማ ናብ ተመነገበል ዝመልእዎ ስፍራ ክድርብዋ ኣዘዘ። ሓንቲ ተመን ድማ ኣብ ኣፍልባ ኻኽሰታ (ነደፈታ)። ቀጺሉ'ውን ካልእ ተመን ኣብ ጐድና ነደፈታ። በታ ግዜ እቲኣ ድማ ቅድስቲ ክርስጢና ናይ ምስክርነት ተጋድሎኣ ፈጺማ ነፍሳ ናብ ኣምላኽ ኣማሕጸነት። ትንፋሳ'ውን ኃለፈት። ካብቲ ሰማያዊ ኣምላኽ'ውን ናይ ክብሪ ኣኽሊል ተቐበለት።

- ሰላም ለክርስጢና ዘኣጥመቃ እግዚኣብሔር፡
- ወተሀበያ መልኣኩ ሚካኤል ክቡር፡
- ለዛቲ ቅድስት ወንጽሕት እምነውር፡
- ያመሓርዕር ጉርዔ ነፍስየ እምስቴ ኃጢኣት መሪር፡
- እምነ ሥጋሃ ቅሱፍ ዘውኅዘ መዓር።

***ጸሎታን በረኸታን ምስና ይኹን ኣሜን ምንጪ ፲፮ ነሐሰ ሰንክሳር።***

◆ ◆ ◆

**<u>ታሪኽ ሰማዕት ቅድስት ማክሪና ናይ ሃገረ ምሥራቅ ባሕታዊት ብምባል ትፍለጥ</u>**

ቅድስት ማክሪና ኣብ ናይ መጀመርታ ታሪኽ ቤተ ክርስቲያን ዝተፈልጠት ኣደ እያ። ኣብቲ ቀዳማይ ዘመን ኣብ ሃገረ ፍልስጥኤም ናይ ብሕትውና ገዳም ካብ ዝመስረታ ኣዴታት ሓንቲ እያ። ፓንቴስ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ገዳም ብቤተ ሰብ መልክዕ ብሓድነት። ብፍቕሪ፡ ከምዝነብራ ጌራ ዘመሓደረት ዓባይ ኣደ እያ።

ቅድሚ ምምናና ምስ ቤተ ሰባ በዓል ቅዱስ ባስልዮስ ብ፫፻፶፩ ዓ.ም. (351 ዓ.ም) ናብ ናይ ኣቴና ዩኒቨርስቲ ቅድሚ ምእታዉ ብቤተሰብ ዝወሃቦም ዝነበረ ናይ ሃይማኖት ትምህርቲ ኸኣላቶም ኣሕዋታ ትበልጾም ነበረት።

ቅዱስ ባስልዮስ'ውን ካብ ዩኒቨርስቲ ኣቴና ምስተመልሰ ንሓብቱ ኣብነት ብምግባር ኣብ ገዳም ፓንቴስ ክልተ፡ ሠለስተ፡ ኣርባዕተ፡ ሓሙሽተ እናኾኑ ብምንጽጻል ይነብሩ ንዝነበሩ ብሓድነት ገዳም መሥሪቶም ኸኽነብሩ ገበረ።

ቅድስት ማክሪና'ውን ንብዙሕ ግዜ ኣብ ብሕትውና ምስ ጸንሐት ብ፫፻፸፱ ዓ.ም (379 ዓ.ም) ኣብታ ባዕላ ዝመሥረተታ ገዳማ ዓረፈት።

***ጸሎታን በረኽታን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን ምንጪ ፲፫ ነሐሰ ሰንክሳር።***

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ሰማዕት ቅድስት ኦርኒ ጓል ንጉሥ ሮማ

ሰማዕት ቅድስት ኦርኒ ስም ኣቡኣ መርቅያኖስ ናይ ሮማ ንጉሥ ኣምላኺ ጣዖት ኮይኑ ኣዲኣ ግና ተኽታሊት እምነት ክርስትና ነበረት። እዛ ቅድስት ኣደ እዚኣ ምስተወልደት እሞ ምስ ዓበየት ኣቦኣ እከል ንዕኣ ዝኸውን ሓደ ዓቢ መካበብያ ዘለዎ ቤት ሃኒጹ ምስኣ ድማ ፲፪ (12) ደናግል ብወርቅን ብብሩርን ሰሊሙ፡ ፺፯ (97) ዝኾኑ ጣዖታት ኣብ ውሽጢ ኣዳልዩ ከይወጽኣት ክትሰግድ ምእንቲ ማዕጸ ተዓጽያ ንሿ (7) ዓመትን ፮ተ (6) ወርሕን ተቐመጠት። ሓደ መዓ ልቲ ናብ ምብራቕ ገጻ እንተረኣየት ሓንቲ ርግቢ ኣብ ኣፋ ቆጽሊ ኣውሊዕ ሒዛ ናብቲ መኣዲ ክትስንድዎ፡ ካልኣይ ውን ንምዕራብ ገጻ እንተጠመተት ኳኽ ኣብ ኣፉ ተመን ኣንጠልጢሉ ናብቲ መኣዱ ክድርብዮ ከሎ፡ ሣልሳይውን ኣንቂ ዝተባህለ ዑፍ ኣብ ኣፉ ኣኽሊል ኣንጠልጢሉ ናብቲ መኣዲ ክድርብዮ ረኣየት። በዚ ዝረኣየቶ ራእይ ተገሪማ ሸዑ ነቲ ኣቡኣ ክምህራ ዝሀባ መምህር ዝረኣየቶ ዝበለ ኩሉ ነገረቶ።

እቲ መምህር ከኣ ከምዚ ኢሉ ፈትሓላ። "ርግቢ ትእምርተ መንፈስ ቅዱስ እያ። ቆጽሊ ኣውሊዕ ጸጋ ጥምቀት እዩ። ኳኽ ከኣ ኩሓዲ ንጉሥ እዩ። እቲ ተመን ከኣ መከራን ስቓይን እዩ። ኣንቂ ፅኑዕ ንጉሥ እዩ፡ ኣኽሊል ከኣ ንቅዱሳን ሰማዕታት ዝወሃብ ክብሪ ኰይኑ፡ ሕጂ ንሸኺ ብስም ክርስቶስ መከራን ስቓይን ክትቅበሊ ኢኺ" ኢሉ ተርጕመላ። ጸኒሑም ኣቡኣን ኣዲኣን መጺኦም ብዛዕባ ናታ ሕጸን መርዓን ዝምልከት ሓተትዋ እሞ ንሳ ከኣ "ንኣርባዕተ መዓልቲ ከመክር ተጸበዩኒ" ብምባል ቅኑዕ ዝኾነ መንገዲ ክመርሓ ናብ እግዚኣብሔር ጸለየት።

መልኣኽ እግዚኣብሔር መጺኡ "ኣጆኺ በርትዒ። ናይ ቅዱስ ጳውሎስ ወደ መዝሙር ቅዱስ ጢሞቴዎስ መጺኡ ጸጋ ጥምቀት ክህበኪ እዩ። ቀጺልኪ ከኣ ምእንቲ ክርስቶስ ብዙሕ ስቓይ ክትቅበሊ ኢኺ።" በላ ሸዑ ቅዱስ ጢሞቴዎስ ነቲ ዘይእቶ ናይ ቤታ ሓጹር መካበብያ ብሓይሊ ኣምላኽ ሰንጢቑ ኣትዩ ኩሉ ትምህርቲ ወንጌል ምሂሩ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣጥመቕ። ንሱ ምስ ከደ ቅድስት ኦርኒ ተንሚኣ ነቶም ኩሎም ኣቡኣ ዘዳለዎም ጣዖታት ዓ ጠምጠም ኣቢላ ሰባበረቶም። ድሕሪ 7 (፯) መዓልቲ ኣቡኣን ኣዲኣን ከምቀዳሞም መጺኦም ብዛዕባ መርዓ እንተ ሓተትዋ፡ ንሳ "ኣነ ናብ ሰማያዊ ንጉሥ ኢየሱስ ክርስቶስ ንዕኡ ምስጋና ይኹኖ እሞ ተጸዊዐ ስለ ዝኾንኩ ተጠሚቐ" በለቶም። ሸዑ ኣቡኣ ንጉሥ መርቅያኖስ ቃል ጓሉ ሰሚዑ ተቆጢዑ ንቅድስት ኦርኒ ካብቲ ዝነበረቶ ስሒቡ ኣውረዳ። ኣዲኣ ከኣ ብብኽያትን ኣብ ርእሳ ሓመድ እናነሰነሰት ደድሕሪኣ ትስዕብ ነበረት።

ኣቡኣ ፬ ኣፍራስ ብሰንሰለት ኣሶሮም ኣምጺኦም ንቅድስት ኦርኒ ከኣ ብርእሳ ኣብቲ ጭራ ኣፍራስ ክኣስርዋ ኣዚዙ ኣእስራ። ሸዑ ካብቶም 4ኣ እቲ ሓደ ፈረስ ሰንሰለት

በንጢሱ የማነይቲ ኢድ ንጉሥ ሰቢሩ (መንጢሉ) ነፊጹ ከደ። እቲ ንጉሥ ከኣ ወዲቹ የማናይ ኢድ ተሰሊዑ ንግዚኡ ሞተ። ቅድስት ኦርኒ ተንሲኣ ጸለየት እሞ ንንጉሥ ኣቡኣ ኣተንስኣቶ ነዚ ነገር እዚ ዝረኣየቶ ሕዝቢ ንጉሥ ኣቡኣ ኣቢሮም ሰለስተ እልፊ ዝኾኑ ተጠመቹ። ብሰላም ከኣ ተዋረስቲ ጽድቂ ኮይኖም ሓለፉ። እንደገና ካልእ ዳኬዎስ ዝተባህለ ከሓዱ ንጉሥ ወሪኣ ሰሚዑ ንቅድስት ኦርኒ ሒዙ ብጸጉሪ ርእሳ ክትስቀል ኣዘዘ። ካልኣይውን ኣትማንን <u>ኣኽይስትን</u> ዕንቅርቢታትን ናብ ዝተመልአ ጉድጓድ ክድርብይዋ ኣዘዘ። ንሳ ገለ ከይኾነት መጺኣ። እቶም ኣራዊት ግና ኩላቶም ሞቱ። ንሳልሳይ ግዜ ብመጋዝ ክትምገዝ ምስ ኣዘዘ እቲ መጋዝ ኣብ ክልተ ተሰበር። እቲ ንጉሥ ሞተ። ንራብዓይ ግዜ መተካእታ ናይ ኣቡኣ ዝነገሠ ወዲ ንጉሥ ዳኬዎስ ንቅድስት ኦዝኒ ሒዙ ኢዳን እግራን ብጸላሕቲ ሽንካራት ክሽንክርዋ ኣዘዘ። ኣብ ዝባና ከቢድ ብሕፃ ዝተመልኡ ክሻታት ሰቒሎም፡ ናብ ኣርባዕተ ወገን ኣብ ዝርባዕተ ኣፍራስ ኣሲሮም ሰብነታ ክበጣጥስዎውን እንተ ኣዘዘ ክኾነሉ ኣይከኣለን። ንሱውን ደኺሙ ብምልኣኽ እግዚኣብሔር ተቐሲፉ ሞተ። ቅድስት ኦርኒ ሕሙማት እናፈወሰት ኣጋንንት እናኣውጽኣት ተኣምራት እናገበረ ትነበር ነበረት። ንሓሙሻይ ግዜውን ራብዓይ ንጉሥ ንኣማልክቱ ክትስውእ ኣዚዝዋ ምስ ኣበየቶ ኣብ ሓዊ ጠበሳ። ካብቲ ሓዊውን ገለ ከይኾነት ወጺኣ ረገመቶ። ነዚ ኩሉ ርእዩ ብጐይታ ንዕኡ ምስጋና ይኹኖ ምብባል ኣመነ።

ንሻዱሻይ ግዜ ናይ ፋርስ ንጉሥ ንቅድስት ኦርኒ ሒዙ ብኵናት ወጊኡ (ረጊጹ) ቀተላ። ሽዑኡውን መልኣኽ እግዚኣብሔር መጺኡ ኣንተሲእዋ ኣብቲ ሃገር ክትሰብኽ ጸንሓቶ። ድሕሪኡ ናብቲ ናይ ሓጐስ ቦታ ገነት ተመሲጣ ከደት።

***ጸሎታን በረኽታን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።***

- ሰላም ለኦርኒ ሠናይተ ዝክር ወስም
- ዘበትርጓሜሃ ሰላም
- እስመ ኮነንዋ ለቲ በዘዘ ዚኣሁ ሕማም
- መእንተ ኣውስቦ ዘሥርዓተ ሥጋ ወደም

- ውስተ ሕሊናህ ኢሥጠት ፍቅረ ኣብ ወእም

ስንክሳር ፴ ጥሪ

## <u>ታሪኽ ሰማዕት ቅድስት ጌራኒ</u>

ጌራኒ ማለት ሰላም ማለት ክኸውን እንከለሎ ስም ኣቡኣ ንጉሥ ሉክያኖስ ይብሃል። ኣቡኣ ፷ (60) ዝመሳኹቱ ፲፪ (12) መካበብያ ዘለዎ ሓደ ዓቢ ኣዳራሽ ሰሪሑ ሓደ ኣረጋዊ መምህርን ሰላሳ ዘገልግል ኣዋልድን ገሩ ሃባ። እቲ መምህር ክምህራ እንከለሎ ንሱ ብደገ ኮይኑ ንሳ ኣብ ውሽጢ ኮይን ትምህር ነበረት። ንሳ ጓል ሸውዓተ ዓመት ምስ ኾነት ሓደ መዓልቲ ኣብ መኣዲ ተቐሚጣ እንከላ ከምዚ ዝስዕብ ራእይ ረኣየት። “ሓንቲ ርግቢ ኣብ ኣፋ ቆጽሊ ኣውሊዕ ኣምጺኣ ናብቲ መኣዲ ኣቐመጠቶ። ሽዑ ሓደ ንስሪ ኣኽሊል ሒዙ መጺኡ ኣብቲ ዝቐረበቶ መኣዲ ኣቐመጦ። ድሒሩ ኳኽ ተመን ሒዙ ነቲ ተመን ኣብቲ መኣዲ ኣቐመጦ”። ቅድስት ጌራኒ ብዝተራእያ ራእይ ደንጊጻ ንመምህራ ነገረቶ። እቲ መምህር “እታ ዝረኣኺያ ርግቢ ትእምርተ ሕጊ እያ። እቲ ኣብ ኣፋ ዝነበረ ቁጽሊ ኣውሊዕ ጥምቀተ ክርስትና እዩ። እቲ ንስሪ ከኣ ዓወት እዩ። ኣኽሊልውን ናይ ሰማዕትነት ክብሪ እዩ። ኳኽ ሓደ ከሓዲ ንጉሥ እዩ። እቲ ተመን ዝበልኪዮውን መከራን ስቓይን እዩ። ስለዚ ንሰኺ ምእንቲ ስም ክርስቶስ ተጋዲልኪ ክትዕወቲ ኢኺ” ኢሉ ተርጕመላ። ኣብዚ ግዜዚ ኣቡኣ ንጉሥ ሉክያኖስ መጺኡ ካብዞም መኳንንተይ ንሓደ ከመርዕወኪ እየ ምስ በላ፡” በል ንሰለስተ (፫) መዓልቲ ምስ ነፍሰይ ክመክር” በለቶ። ኣቡኣ ካብኣ ምስ ወጸ ርእሳ ላጽያ ኣብቲ ኣቡኣ ዘምልኾ ቤት ጣያት ኣትያ ብዛዕባ መርዓን ሕጸን እንተሓተተት መልሲ ኣይረኸበትን።

ድሕሪኡ ናብ ሰማይ ብምጥማት “ኦ ናይ ክርስቲያን ኣምላኽ፡ ናብቲ ንሰኻ እትፈትዎ ምርሓኒ” ምስ በለት ዝተላእከ መልኣኽ መጺኡ “እነሆ ጽባሕ ካብቶም ናይ ሓዋርያ ጳውሎስ ደቀ መዛሙርት ሓደ ናብዚ ዓዲ መጺኡ ከጠምቐኪ እዩ”። ድሕሪ ሰለስተ (፫) መዓልቲ ኣቡኣ

ሉክያኖስ ምስ ሰበይቱ መጺኦም እንተሓተትዋ፡ “ኣነ ክርስቲያናዊት ኾይነ እየ። ብስም ጐይታይ ኢየሱስ ክርስቶስ ወዲ ህያው ኣምላኽ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ ኣሚነ ኣለኹ” በለቶም። ኣቡኣ ተቐጢዑ ካብቲ ዝነበረቶ ቤት ናብ ኣደባባይ ኣውጺኡ ኢዳን እግራን ኣሲሮም ብኣፍራስ ከርግጽዋ እኳ እንተ ኣዘዘ ንሳ ግን ኣምላኽ ስለ ዝተኸላኸለላ ሓንቲኳ ኣይኮነትን። ኣቡኣን ኣዲኣን ነዚ ነገርዚ ርእዮም ክልቲኦም ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ “ንዕኡ ምስጋና ይኩኖ” ኢሎም ኣመኑ። ጣያቶምን መንግሥቶምን ገዲፎም ናብቲ ዝሰርሕዎ ሕንጻ ብምእታው ተቐመጡ። ኣብ ከባቢ ዝነበረ ንጉሥ ነዚ ወረ እዚ ሰሚዑ፡ (መጺኡ) ናብ መንግሥቶም ክምለሱ ለመኖም። ምስ ኣበዩ ንሱ ባዕሉ ነጊሡ ነቲ ጣያት ሓዞ። ንቅድስት ጐራኒ ኣናብስትን ኣናብርትን ብምስዳድ ብዙሕ እኳ እንተፈተና፡ ንሳ ግና ገለ ነገር ከይኮነት ወጸት። ኣብ ክሳዳ ዓቢ እምኒ ኣሲሩ ፈተና። ብመጋዝ መጊዙ ቐቲልዋ። እግዚኣብሔር ከኣ ንግዚኡ ጥዕይቲ ጌሩ ኣተንሥኣ። ኣቡኣን ኣዲኣን ነቲ ንዕኣ ዘጥመቕ ካህን ብምጽዋዕ ምስ ብዘሎ ቤተ ሰቦምን ሰለስተ ሚእቲ (፫፻) ኣገልገልቶምን ተጠመቐ። ንጉሥ ኑማርያኖስውን ዜናኣ ሰሚዑ ብምጽዋዕ ኣብ ሃገረ “ቀላኒካ” ቡቲ ብዕራይ ዝብሃል መእሰሪኡ ኣሰራ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ መጺኡ ነቲ ሓጺን ሰቢሩ ኣድሓና። ኑማርያኖስ ሞይቱ መተካእታኡ ንጉሥ ምስ ነገሠውን ቡቲ ናይ ኢዱ ኮናት ወጊኡ ቀተላ። ሓጂ'ውን ጐይታ ካብ ሞት ኣተንሥኣ። ንጉሥ ሳቡር ነዚ ዝተፈጸመ ተኣምር ብምርኣይ ምስ ፬፻፹ወ፤ እልፊ ዝኾኑ ሰባት ናብኣ ሰጊዶም ብስም ጐይታ ኣሚኖም ተጠመቐ። ኣቡኣን ኣዲኣን ከኣ ኣብታ ዝነበርዋ ህንጻ ዕድመ የእኪሎም ብሰላም ዓረፉ። ቅድስት ጐራኒ ንድሕነት ሰባት ስለ ዝተፈጥረት ብደመና ናብ ሃገረ ኤፌሶን ከይዳ ብዙሕ ተኣምራትን መንክራትን ብምርኣይ ንብዙሓት ሰባት ኣእመነት። ኣብ ቅድሚ ነገሥታት ፋርስን፡ መቄዶንያን ነገሥታት ቀላኒካን ቀኒስጥንጥንያን ብጐይታ ምእማና መስኪራ ብሰላም ዓረፈት። ብስማ ቤተክርስቲያን ሰሪሖም ሥግኣ ኣብኡ ኣንበሩ፡ ካብኡ ብዙሕ ተኣምራትን መንክራትን ይርእ ነበረ።

***ጸሎታን በረኽታን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።***

- ሰላም ለጐራኒ ከመ ትርጓሜሃ ለስማ።
- ምሥጢረ ጥምቀት ዘርእየት ኣምሳለ ቁጽለ ዘይት በሕልማ።
- ጊዜ ነጸሩ ኪያሃ በጽንዓ ሃይማኖት ቀዊማ።
- ሶበ ኢክህለ ሙቃሄ መእግረ ፈርስ ያህምማ።
- ኣሰረ ዚኣሃ ተለዉ ኣቡነ ወእማ።

ስንክሳር ዕለት ፳፭ ነሓሴ

***<u>ታሪኽ ሰማዕት ቅድስት ኤፎያም</u>***

<u>ንቅድስት ኣፎምያ ኣዲኣ ቴዎድርስያኒ እትብሃል ፈራዚተ እግዚኣብሔር ኣማኒት ክርስቶስ ነብረት። ኣብቲ ግዜ እቲ ሰይጣን ንክርስቲያን ኣገዲድካ ክቐትል ንንጉሥ ኣንቲሂጶጦስ ኣሕሰብዎ ነበረ። ስለዚ ነዛ ቅድስት ኣደ ናብ ጣያት ክትስውእ እንተኣገደዳ ንሳ ኣነ ንጐይታይ ኢየሱስ ክርስቶስ ንዕኡ ምስጋና ይኹኖ እንተዘይ ኾይኑ ኣይስውእን ኢላ ኣቐበጸቶ። ኣንቲሂጶጦስ ኣብ መንኰራኵር ሠረገላ ኣእትዮም ክጥሕንዋ ኣዘዘ። መልኣኽ እግዚኣብሔር መጺኡ ከኣ ኣድሓና። ኀኻልኣይ ግዜውን ፵፭ ቁመት ሃልሃልትኡ ዝኸውን ሓዊ ኣጉዶም ከንድድዋ ኣዘዘ፡ ቅድስት ኤፎምያ ኣብ ውሽጢ እቲ ሓዊ ኾይና ጸሎት ጸለየት፡ ገለ ከይኾነት ከኣ ካብቲ ሓዊ ከም ሰለስተ ደቂ ወጸት። ንራብዓይ ግዜ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣእትዮ ናብ ጥየት ሰውዒ በላ ንሳ መንፈሳዊ ስሓቕ እናሰሓቐት ኣነ “ነዞም ሰብ ዝሰርሑም ኣእማን ክዛረቡውን ዘይክእሉ ዝይሰግድን እየ” በለቶ። ኣንቲሂጶጦስ ኣርባዕተ በላሕቲ ኣእማን ጌሮም ሥጋእ ክቐልጡ ኣዘዘ። ደጊሙውን ኣራዊት ኣብዘለዉዋ ዘላይ ክድርብይዋ ኣዘዘ። እቶም ኣብቲ ቀላይ ዝነብሩ ክይቀተልዋ ተሰኪሞም ናብ ንቐጽ መሬት ኣውጽእዋ።</u>

<u>ንሻዱሻይ ግዜ በላሕቲ ኣእማን ሓዛዊንን ኣብመንገዲ ተኺሎም ኣብኡ ከጉይይዋ ኣዘዘ። ሕጂውን ኣብ ልዕሊኡም ገብጉያ ረጊጻ ገለ ከይኾነት ወጸት። ንሻብዓይ ግዜ ኣብ (ጤገን) ዓቢ ዕትሮ ኣእትዮም ብሓዊ ከሕርርዋ ኣዘዘ። ሕጂውን ገለ ከይኾነት ወጸት። መሊሱ ኣራዊት ኣናብስት፡</u>

ድብታት፡ ኣትማን፡ ሰደደላ። እቶም ኣንበሳን ድብን እግራ ክልሕሱ ከለው ሓንቲ ታሚም ዝተባህለት ተመን እግራ ኻሽሰታ እሞ ዓረፈት። ቅድሚ ምማታ ካብ ሰማይ "እ ቅድስት ኤፎምያ ናብዚ ቅዱስ ዝኾነ ቦታ ገኒት ግዒ ዝብል መጽኣ"።
ኣቡኣን ኣዲኣን መጺኦም ንሥጋኣ ብኽብሪ ገኒዞም ቀበርዋ።
ጸሎታን በረኽታን ምስ ኩልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

- ሰላም እብል ለፍጻሜ ሰምዕኪ ዛቲ
- በንስኩተ አርዌ አሐቲ
- ኤፎምያ ባዕልት ወአንጌቤናይት አንቲ
- አንፈርእዕ ከመ ጣዕዋ በብሔረ ብከይ እንታክቲ
- ሐሊበ ጥብኪ መጥውኒ እስቲ

*ሰንክሳር ዕለት ፲፩ ግንቦት።*

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ሰማዕት ቅድስት ኣንስጣስያ

ቅድስት ኣንስጣስያ ሃገረ ትውልዳ ሮማ ኮይኑ ወለዳ ኣመንቲ ክርስትና ብምንባሮም ንጓሎም ናይ መንፈሳውን ሥጋውን ትምህርቲ እናመሃሩ ኣዕበይዋ። ወለዳ ከመርዕውዋ ግዲ እንተበልዋ ንሳ ግና "ኣነ ናይ ሰማያዊ ንጉሥ መርዓት እየ"። ብምባል ንኽትምንኩስ ናብ ሓደ ገዳም ኣትያ መንኩሰት። ብጾም፡ ጸሎት፡ ስግደት ናይ ዓለም ሓሶት ኩሉ ካብ ሰብነታ ብምርሓቕ ዓመት ምሉእ ከክልተ መዓልቲ ትጸውም ነበረት። ኣብ ግዜ ጾመ ኣርብዓ ግና ንኣርብዓ (፵) መዓልቲ እኽሊ ዝብሃል ኣይትጥዕምን ነበረት። ማለት ብጀካ ቀዳምን ሰንበትን። ኣብዘን ክልተ መዓልቲውን ንቑጽ ን- ራ ብዘይጨው ትምገብ ነበረት። ጸብሒ ዝብልዎ ድሕሪ ምምንኪሳ ኣይጠዓመትን።
ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ኣብ ከባቢኣን ናብ ዝነበረ ገዳም ክብረ በዓል ክነግዳ ምስ ብጾታ እናኸደት እንከላ ናይ ንጉሥ ዳኬዎስ ወተሃደራት ንገለ ክርስቲያን ሒዞም ከጋፍዕ ዎም ምስረኣየት ነቶም ወተሃደራት ካብ ቅንኣት ሃይማኖታ ዝተላዕለ "እ ድንዙዛነ ልብ ወከሓድያን ለምንት ትገብሩ ከመዝ ላዕለ ዘፈጠሮሙ እግዚኣብሔር በኣርኣያሁ ወበአምሳሊሁ ወመጠወ ነፍሶ በእንቲኣሆሙ" ትርጉሙ ኣቱም ድንዙዛትን ከሓድትን እግዚኣብሔር ብምስሉ ዝፈጠሮም ሰለምንታይ ከምዚ ገርኩም ተሳቐይዎም ኣሸኹም በለቶም። ንሳቶም ሓሪቆም ሒዞም ናብ ንጉሥ ወሰድዋ። ንሱ ተቐቢሉ "ብሓቂ ንሸኺ ክርስቲያናዊት ዲኺ፡ ነቲ ተሰቒሉ ዝሞተ ዲኺ ተምልኺ፡" ምስ በላ ንሳ "እወ" ብምባል ዘለዋ እምነት ከይፈርሐት ምስ ገለጸትሉ፡ ኣብ ሰብነታ ሓዊ ከዓወላ፡ ድሒሩውን ቀ-ልቀ-ልኣፋ ሰቐላ። ኣብ ትሕቲኣ ሓዊ ኣጕደላ። እዚ ኩሉ ጌይሩ ንጣያቱ ምምላኽ ስለ ዝኣበየቶ ርእሳ ብሰይፊ ክስይፍዋ ንወተሃደራቱ ልኢኹ ኣሰየፋ። ኩሎም እቶም ዝረኣይዋ ዘበሉ ንብዝሒ ትዕግፍታን ጽንዓታን ኣድነቑ። ናይ ሰምዕትና ኣኽሊል ዓወት ተቐበለት። ርእሳ ብሰይፍ ክቑርጽዋ ንወተሃደራቱ ለኣኸ።
ጸሎታን በረኽታን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

- ሰላም ለኣንስጣስያ ዘኣጥብኣት ኩሎ መዋዕለ።
- ከመ ኢትብላዕ ምንተኒ በእሳት ዘበሰለ።
- እምድኅረ ፈጸመት ዘንተ ወሰለጠት ገድለ።
- ወሰላም ዕብል ዘምትረተ ርእሳ ልዑለ።
- ወሶስናሃ እኤምኅ ድንግለ።

ስንክሳር ዕለት ፭ ጥቅምት
መዘከርታ ክልተ ኣንስጣስያ ኣለዋ መለይኣን እታ ሓንቲ ወለዳ ኣመንቲ ክኾኑ እንከለው እታ ሓንቲ ግና መምለኽቲ ጣያት እዮም።

## ታሪኽ ሰማዕት ቅድስት ጣጡስ

ሰማዕት ቅድስት ጣጡስ ሃገረ ትውልዳ ሮማ እዩ። እስክንድሮስ ዝተባህለ ከሓዲ ንጉሥ ንኣማልኽቲ ሰውዒ፡ ዕጠኒ፡ ስገዲ ምስ በላ፡ "ኣነ ንሓደ ኢየሱስ ክርስቶስ ፈጣሪ ሰማይን ምድርን እንተዘይኮይኑ ኣይሰግድን እየ" በለቶ። ንጉሥ እስክንድሮስ ጉልባብ ርእሳ ክቑልዕዋ ኣዘዞም እንተ ረኣያ ብመልኽዓ ተደነቐ። ኣዕይንታ ኮኸብ ጽባሕ፡ ቁመናኣ

ከም ስየ፣ ስነ-ጽባቐኣ ከም ጽጌ ረዳ፣ ትመስል። ኣብቲ ዘመን እቲ ንዕአ እትመስል ጓለንስተይቲ ኣይነበረትን። እቲ ንጉሥ ብፍቕራ ልቡ ተሃወኸሞ ከምዚ በላ “ጥራይ ሐራይ ኢልኪ ነቲ ዓቢ ኣምላኽ ኣጽሎን ስገዲ እምበር ኣንጊሥ ክምርዓወኪ እየ“ በላ። ንሳ “ኣነ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ መርዓት ኣየ፣ ንዕኡ ጥራይ እየ ከኣ ዘምልኽ” በለቶ። “ቤት ኣማልኽትኻ ኀኽኣቱ ግና ኣፍቅደለይ” ምስ በለቶ መሪሕዋ ኣተወ። ቅድስት ጣጡስ ኣብቲ ቤት ጣያት ኣትያ ናብ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ጸለየትሞ ዓቢይ ምንቕጥቓጥ ኮይኑ ኩሎም ጣያታት ከካብ መናብሮም ወደቑ። ካብቶም ጸረብቲ ጣያትውን ብዙሓት ሞቱ። እቲ ኣባታቶም ሓዲሩ ዝነበረ ርኹስ መንፈስ “ኣንቲ ቅድስቲ ኣባይ እንታይ ኣለኺ፣ እንሆ ሰፈረይ ኣፍሪስኪ ኣውጺእክኺ። “በላ ንጉሥ እስክንድሮስ ሕነ ጣያታቱ ቀጕልቁልኣፉ ደፊኡም ብኩርማጅን ሓለንግን ክዘብጥዋ ኣዘዘ። ካብ ሰብነታ ፃዕዳ ደም ወጽኡ። እቶም ወተሃደራት ክሳብ ዝደኽሙ ከትከትዋ። ንሳ ዋላ ሓንቲ ኣይኮነትን። ንሳቶም ግና ናብኡም ተመሊሱ የሳቕዮም ስለ ዝነበረ ደኽሙ። ንጥሙይ ኣንበሳውን ኀኽትብላዕ እንተሃብዋ እቲ ኣንበሳ ጸበል እግራ ብምልሓስ ጠጠው በለ። “ካብ ሰማይ ኣነ ምሳኺ ስለዝኾንኩ ኣንቲ ንጽሕቲ ተሓጐሲ” ዝብል ቃል ተሰምዐ። እቲ ንጉሥ እዚ ኩሉ ዝኣዘዞ ከምዘይተንከፋ ምስረኣየ ክሳዳ ብሴፍ ክቖርጹ ኣዘዘ። ንሥጋኣ ናይ ሮማ ጳጳስ ብለይቲ መጺኡ ኣብቲ ናይ መቕደስ ዝርከብ እምነ ርኪም ጌሩ ቀበራ። ካብ መቓብራ ከኣ ብዙሕ ተኣምራትን መንክራትን ተራእየ። ጸሎታን በረኽታን ምስ ኩሉ ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

- ሰላም ለጣጡስ ሥርጉተ ኣፍኣ ወውስጥ።
- በምግባር ፍጹም ወበሃይማኖት ሥሉጥ።
- ኣመ ኮነት ስምዐ እንበለ ተምያጥ።
- ኣሕምሞ ሥጋሃ ኢክህሉ ኣስዋጥ።
- ወጸበለ እግራ ለሐሱ ኣናብስት መሰጥ።

*ስንክሳር ዕለት ፲፮ ጎዳር*

## ታሪኽ ሰማዕት ቅድስት ምህራኤል

ናይ ትውልዲ ዓዳ ጠምዋህ ከባቢ ኾይኑ ስም ኣቡኣ ኀህን ዮሓንስ፣ ስም ኣዲኣ ከኣ ኢላርያ ይብሃል። እዞም ክልተ ፈራህያን እግዚኣብሔር ሰብ ቃል ኪዳን ውላድ ብምስኣኖም ይሓዝኑ ነበሩ። ድሕሪ'ቲ ብዙሕ ጸሎት እዛ ቅድስት እዚኣ ተዋህበቶም። ስማ ምህራኤል ኢሎም ሰመይዋ። ዓል ፲፪ (12) ዓመት ምስ ኮነት በቲ ኣብኣ ዝሓደረ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ተኣምራትን መንክራትን ክትገብር ጀመረት። ድሕሪኡ ከሓዲ ዲዮቅልጥያኖስ ነገሠ። ናብቲ መራኽብ ዝጽዕናሉ ወደብ ማለት ሰማዕትነት ክቕበሉ ምእመናን ናብ ዲዮቅልጥያኖስ ዝኸዱሉ ቦታ ቀልጢፋ ከይዳ መርከብ ተጻዓ ዿና ሃገረ እንድና በጽሐት። ኣብ ቅድሚ ፊልያኖስ ዝተባህለ ናይ ዲዮቅልጥያኖስ ልኡኽ መኰንን ከኣ ብጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ከም ትኣምን ሃይማኖታ መስከረት። መኮንን ፊልያኖስ ሕጻንነታ ርእዩ ሸለል በላ። ንሳ ግና ሸለል ከምዝበላ ፈሊጣ ምእንቲ ክቕትላ ደጋጊማ ንእምነቱን ንዕኡን ረገመቶም። ስለዚ ተቐጢዑ ብጽኑዕ ኩነኔ ኰነና። ምትላላ ምስ ሰኣነ ኣራዊት ኣኽይስቲ፣ ዕንቅርቢት፣ ኣፍዑታት፣ ኣብ ሓደ ዓቢ ክሻ ኣኪቦም ናብኡ ከእትውዋ ኣዘዘ። ኣብዚ ግዜ እዚ መልኣኽ እግዚኣብሔር ተራኣያ። ቃል ኪዳን ከኣ ካብ ኣምላኽ ተቐበለት፣ ነፍሳ ናብ ፈጣሪኣ ኣወፈየት። ሰማዕትነታ ፈጸመት። ካብ ዝኣተወቶ ናይ ኣራዊታት መትሓዚ ኣውጺኦም ምእመናን ብኽብሪ ቐበርዋ። ኣቡኣን ኣዲኣን ምስ ሰምዑ ምስ ብዙሓት መሰነይትኣም መጺኦም ካብቲ ዝነበረቶ ናብ ዝሓሸ ቦታ ኣግዓዝዋ። ብስማ ጽብቕቲ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ከውሒ ዝኾነ ቦታ ሰርሑላ። ኣብቲ መቓብራ ብዙሕ ተኣምርን መንክር ይግበር ነበረ።

ጸሎታን በረኽታን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

- ሰላም እብል ለብፅዕት ምሕራኤል
- ዘፈጸመት ስምዓ በውስተ ሃስል
- ወሰላም ለእጉሃ ኣብሂር ድንግል
- ዘተውህበ በፈቃዱ ለሕማም ወገድል
- ሶበ እምሥጋህ ነጸረ ዘይትገበር ኃይል

ስንክሳር ዕለት ፲፬ ጥሪ

## ታሪክ ሰማዕት ቅድስት ኣንስጣስያ ሮማዊት

ሰማዕት ቅድስት ኣንስጣስያ ኣቡኣ መምለኺ ጣያት እዩ ነይሩ። ኣዲኣ ግና ክርስቲያናዊት እያ ነይራ። ኣዲኣ ሰብኣያ ከይፈለጠ ብሕቡእ ጥምቀተ ክርስትና ኣጠሚቓታ ነበረት እምበር ንሱ እንተ ዝፈልጥሲ ኣይመእተወንን ነይሩ። ማንም ሰብ ኪጋግያ ከምዘይክእል ብዛዕባ እምነተ ክርስትና ዝምልከት ሓደ ብሓደ መዓልታዊ እናመሃረት ብጽቡቕ ኣተዓባብያ ኣዕበየታ። ምስ ዓበየት ኣቡኣ ንሓደ ከምኡ ዝኣመሰለ ኪሓዲ ብዘይፍቓዳ ኣመርዓዋ። ይኹን እምበር ቅድስት ኣንስጣስያ ኣዝያ ስለዝጸልኣቶ ምስኡ ክትራኸብ ስለዘይደለየት ዝተፈላለየ ምኽንያታት ብምቕራብ ኣበየቶ። ማለት ሓሚመ እየ ብምባል ረሳሕ ክዳን ብምኽዳን ክሳብ ኃኺፈትሓ ትደሊ ነበረት።

እቲ ሰብኣያ ውጽእ ክብል ከሎ፡ ነቶም ዝተኣስሩ ክርሲያናት ከይዳ ትበጽሖም ነበረት። ሰብኣታ ምስ ፈለጠ ኃኺይትወጽእ ማዕጾ ይዓጽዋ ነበረ። ሽዑ ካብዚ ክፉእ ሰብኣይ ኃኺፈልያ ናብ እግዚኣብሔር ብንብዓት ጸለየት እሞ ጸሎታ ሰሚዑ፡ ነቲ እኩይ ሰብኣያ ህልም ኢሉ ከምዝጠፍእ ገበሮ። ንሳ ተሓጉሳ ንፈጣሪ ኣመስጊና፡ ዘሎ ንብረታን ጥሪታን ሃብታን ብቕልጡፍ ሸይጣ ንድኻታት፡ ንመሳኪን፡ ንእሱራት፡ ንኣመንቲ፡ ብሃይማሞት ንዝጋደሉ ዓደለቶ። ናይ ሮማ መኰንን ነዚ ጽቡቕ እምነታ ብወረ ሰሚዑ ኣጸዊዑ ናብ ጣያት ክትሰግድ ገደዳ። ንሳ ምስ ኣበየቶ ብዝተፈላለየ መሳርሒታት ኣሳቐያ። ምስ ደኸመ ናብ ባሕሪ ከጥሕልዋ ኣዘዘ። ምስ ኣጥሓልዋ ውን ጐይታ ብጥዕይታ ናብ የብስ ኣውጽኣ። እቲ መኰንን ብሕይወታ ከምዝወጸት ምስ ፈለጠ ፬ በላሕቲ ሓጻዊን ተኺሎም ኣብኡ ኣደቂሶም ክቕጥቅጥዋ ኣዘዘ። ሕጂውን ሓንቲ ኣይኮነትን። ኣብ መወዳእታ ብሓዊ ኣንዲዱ ቀተላ።

ጸሎታን በረኽታን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

- ሰላም ለኣንስጣስያ ጣያተ ኣቡሃ መኒና፡
- እንተ ተለወት ፍጹመ ሃይማኖተ እማ ክርስትና፡
- እስከ መኰንን ዕልው በዋዕየ እሳት ኣርሰና፡
- ወሰላም ካዕበ ለብጽዕት ዮልያና፡
- ረተሳተፈት ክብረ ሰማዕት ኣሐደ ከዊና፡

ስንክሳር ዕለት ፭፮ ታሕሳስ

## ታሪክ ሰማዕት ቅድስት ኣውጋንያ (ኣውጋንዮስ) ጓል ንጉሥ ፊልጶስ

ሰማዕት ቅድስት ኣውጋንያ ስም ኣቡኣ ንጉሥ ፊልጶስ ከሐዲ ኾይኑ ሃገረ ትውልዳ ሮማዊት፡ ኣዲኣ ግና ውሽጢ ውሽጢ ክርስቲያናዊት ብምኻና እምነት ክርስትና ምሂራ ኣዕበየታ። ኣካለ መጠን ምስ በጽሐት ካብ መኳንንት ንሓደ ኣሕጸይዋ እሞ ነቦኣ ካብዚ ወጺኣ ስለ ዘይፈልጥ ቦታታት ክርኢ ኣፍቅደለይ ብምባል ንሱውን ክልተ ህጽዋት ሂቡ ናብ ቃሕ ዝበላ ቦታታት ከይዳ ክትዛወር ፈቐደላ። ይኹን እምበር ንሳ ዝሓሰበቶ ካልእ ንሱ ዝሓሰቦውን ካልእ እዩ ነይሩ። ማለት ንሳ ናብ ኩሎም ቅዱሳን ገዳማት ከደት። ናብ ሓንቲ ዓቢ ኣቦ ዘለዋ ቤተክርስቲያን ቴዎድሮስ ዝተባህለ ጻድቕ ኤጲስ ቆጶስ ከይዳ ኩሉ ሓደሳባታ ገለጸትሉ። ንሱ ከኣ ተቐቢሉ ምስቶም ኣገልገልታ ህጽዋን ኃኹሎም ብሓደ ኣጠመቐም። ንሳ ተጠሚቓ ስቕ ኣይበለትን። ምንኩስና ወሲኻ ኣውጋንዮስ ዝብል ናይ ሰብኣይ ስም ተቐቢላ ኣብቲ ገዳም ተቐመጠት። ዋላ ሓደ ዝፈለጣ ሰብውን ኣይነበረን። ከይተመልሰት ግዜ ምስ ነውሐ ኣቡኣ ንጉሥ ፊልጵፕስ ደልዩ ምስ ሰኣና ብምስላ ጣያት ሰሪሑ ንግሆን ምሸትን ይሰግድ ነበረ። ኣባ ኣውጋንዮስ (ኣውጋንያ ነበር) ንሓደ ዓመት ኣብቲ ገዳም ምስ ኣገልገለ ኣበምኔት ተሸመ። ካብ እግዚኣብሔር ሕሙማት ናይ ምፍዋስ ጸጋ ተዋሂብዎ ነበረ እሞ ሓንቲ ጋኔን ዝሓዛ ሰበይቲ መጺኣቶ ካብ ሕማማ ፈወሳ። ጸላኢ ሠናያት ርጉም ኣብታ ዝሓወየት ሰበይቲ ፍቕሪ ዝሙት ተኸለሞ ንኣባ ኣውጋርዮስ ገዳሙ ገዲፉ ምስኣ ሓዳር ክገብር ትሓቶ። ኣባ ኣውጋርዮስ ኣንቲ ሓብተይ ሰይጣን እዩ ኣስጢቱኪ ኪዲ ካባይ ረሓቒ በላ። እታ ሰበይቲ ኣባ ኣውጋርዮስ ከምዝነጸጋ ምስ ረኣየት፡ ናብ ንጉሥ ፊልጶስ ከይዳ ብሓሶት ክሲ

ኣቕረበት። እቲ ክሲ “ኣነ ክሳለም ናብቲ ገዳም ምስ ኣገልገልተይ ከድኩ፣ ካብቶም ፈለስቲ ሓደ ፈላሲ ክጋሰስኒ ናባይ ምስ መጸ ኢይ ምስ በልኩ ሃዲሙ ከይዱ” ዝብል ነበረ። በዚ ክሲ እዚ ምኽንያት ኀኩሎም እቶም መነኮሳት ከምጽእዎም ትእዛዝ ተመሓላለፈ። ኩሎም መነኮሳት ብሓይሊ ወተሃደራት ወጺኦም ተኣስሩ። ገለ ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ዝሞቱ ኣለው። ሰማዕት ቅድስት ኣውጋርያ እዚ ኩሉ ግፍዒ ምስ ረኣየት፣ ነቡኣ ከይዳ “መሓለለይ እሞ እቲ ሓቂ ከንግረካ ኢላ ኣምሓለቶ”። ኣብ ሓደ ጽምዋ ከይዳ ከኣ ንሳ ኣውጋርያ ጓሉ ምኻና ገለጸትሉ። ንሱ ርእይ ምስ ኣበላ “ብሓቂ ንሸኺ ኣውጋርያ ጓለይ ኢኺ ብኣምላኽኪ ኣሚነ ኣሎኹ። ኀኩሎም እቶም እሱራት ፍትሕዎም። ነቶም ዝሞቱ ከኣ ኣብ ጽቡቕ ቦታ ቅበርዎም” ኢሉ ምስ ኩሎም ቤተ ሰቡ ብክርስትና ኣሚኑ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ተጠምቀ። ሰብ ሃገር እስክንድርያ ሃይማኖቱን ጽንዓቱን ብምርኣይ ኣብ መንበረ መርቆስ ሊቀ ጳጳሳት ሸምዎ። ንብዙሕ ዓመታት ከኣ ብግቡእ ኣገልገለ። ኣብ ዳሕራይ ግዜ ሓደ ኣረማዊ ንጉሥ ንፈልጳስ ወሪኡ ኣጽኒዑ ብሕቡእ ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያን እንከሎ ወተሃደራት ልኢኹ ኣቕተሎ። ሊቀ ጳጳስ ፈልጶስ ብሰማዕትነት ዓሪፉ ምስ ማኅሕበረ ሰማዕታት ተሓወሰ። ናይ ሮማ ሊቀ ጳጳስ ወረ ናይ ቅድስት ኣውጋንያ ሰሚዑ ናይ ገዳሙ እመምኔት ክትኮኖ ወሰዳ። ኣብ ልዕሊ 3000 ደናግል፣ 300 መነኮሳት፣ እመ ምኔት ሸማ። ነቶም ክልተ ምስኣ ዝነበሩ ህጽዋን ከኣ ኤጲስ ቆጶሳት ሸሞም። ድሕሪኡ ሓደ ካልእ ኣረሜናዊ መኰንን መጺኡ ብዝተፈላለየ መከራታት ኣሳቐዩ ቀተላ። ምእንቲ ስም ክርስቶ ከኣ ሰማዕት ኮይና ሓለፈት።

ጸሎታን በረኽታን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

- ሰላም ለኣውጋንያ ዘተመሰለት ሕፅወ
- በዘታነጽሕ ኣቡሃ ፈልጶስ እዜኡ መትልወ፣
- ወጽድቀ ምድር ለመንግሥተ ሰማይ ኣድለወ፣
- እስከ ፓትርያርክ ኮነ ይገሥጽ ኣበወ፣



## ታሪኽ ሰማዕት ቅድስት ኣስጠራጥኒቃ

ንሰማዕት ቅድስት ኣስጠራጥኒቃ ኣቡኣ መምለኺ ጣያት ስለዝኾነ ንሳ ከኣ ኣማኒት ኮይና ብጾምን ጸሎትን ሰብነታ ዓቢራ ብምርኣዩ ናብቲ ከሓዲ ንጉሥ ጢባርዮስ ከይዱ ከሲሱ ኣትሓዛ። ኣዲኣ ግና ክርስቲያናዊት ኮይና እናኸደት ተጻናንዓ ነበረት። እቲ ንጉሥ ብብዙሕ ጥበራታቱ ናብ ጣያት ክትኣምን ፈቲኑ ማኺን ምስ ኣበዮ “ወእምዝ ኣዘዘ ከመ ይግበሩ ሰፋዲለ ዘሓጺን እለ ርሱናት በእሳት ወያጹርዋ ውስተ ኵርናዓቲሃ እስከ ይትላጸቅ ምስለ ገበዋቲሃ ውእቱ ሰፋዲል፣ ወሰበረቶ ለሰፋዲል ወወጽኦት” ወርእዮሙ ሕዝብ ኣምኑ በእግዚእነ ሎቱ ስብሐት መጠነ ፴ወ፯፻ (40700) ሰብእ ወኮኑ ሰማዕ ተ”

ኀካልኣይ ግዜውን ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣእተውዋ። ካብ ሓጺን ኣጽፋር ዘለዎ መጋዝ ዓይነት ኮይኑ ንሰብነታ ዝሰናጥቕ ኣዳለዉ። እዚ መሳርሒ እዚእውን እቲ መጋዝ ናብ ክልተ ማለት ንየማን ንጸጋም ተቐርጸ። ነዚ ብምርኣይ ፱፻፹፭ (985) ዝኾኑ ሕዝቢ ኣሚኖም ተጠሚቐም ሰማዕታት ኮይኖም ሓለፉ። ንሳልሳይ ግዜውን ሓንዛማት ኣራዊት ናብ ዘለውውዎ ጉድጓድ ኣእተውዋ። ሕጂውን ምስጸለየት ኩላቶም እቶም ሓንዛማት ኣራዊት ሞይቶም ተወድኡ። ንራብዓይ ግዜ ኣርባዕተ ሰባት ክስከምዎ ዘይክእሉ ከቢድ እምኒ ኣብ ክሳዳ ሰቐሉላ። ምስ ጸለየት እቲ ከቢድ እምኒ ናብ ሰለስተ ፫ተ ተኸፍለ። ነዚ ብምርኣይውን ቁጽሪ ዘይብሎም ሕዝቢ ኣመኑ። ንሓሙሻይ ግዜ ሓደ ዓቢ ድስቲ ካብ ሓጺን ኣስሪሖም ኣብኡ ዓረት ምስ ዘይቲ ንቅድስት ኣስጠራጥኒቃ ኣብርእሳ ክኽዕውላ ክብሉ እንከለው ኑቲ ዓቢ ድስቲ ሕዝ ምስ ኣበልዎ ተሰቢሩ ኣብ ልዕሊኣም ፈሰሰ እሞ ኩላቶም ሞቱ። ኣብ መወዳእታ እቲ ንጉሥ ተቐጢዑ ርእሳ ብሰይፍ ክቐርጽዋ ኣዘዘ። ንሳ ኣብቲ ናይ ሞት ቦታ ምስበጽሐት ናብ ፈጣሪኣ ጸለየት እሞ ካብ

ሰማይ “ ኦ ቅድስት ኣስጠራጦኒቃ ስምኪ ኣብቲ ናይ ሕይወት መጽሓፍ ተጻሒፍልኪ እዩሞ ተሓጐሲ ዝብል ቃል ተሰምዐ። ብሰይፍ ተሰይፋ ዓረፈት።

ጸሎታን በረኸታን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

- ሰላም ለስንኪ ዘኣዋከየ መብረቃ
- ጎሊናየ ትቤ ሶበ ፍቅርኪ ኣጽሓቃ
- ኣስጠራጦኒቃ ለነፍስየ ጽድቃ።
- ብሐሩ ጽልመት ወጣቃ
- ኣስጠራጦኒቃ ለንዴትየ ወርቃ።

ስንክሳር ዓለት ፭ መጋቢት።

ታሪኻ ሰማዕት ቅድስት ታውክልያ ሰይቲ ቅዱስ ዮሰጦስ ኣደ ፊቅጦር

እዚ ቅድስት ሓደ በዓልቲ ቤቱን ንሰማዕት ቅዱስ ዮስጦኣ ወዲ ንጉሥ ኑማርያኖስ ንጉሠሮም ማለት ነቲ ከሓዲ ዲዮቅልጥያኖስ ዘምኡ፡ ሰይቲ ዲዮቅልጥያኖስ ነዚ ቅድስ ዮስጦስ ሰብኣይ ታውክልያ ሓብቱ ምኻና እያ። ኣብቲ ግዜ እቲ ዝነበሩ ኣማኽርቲ ዮስጦኣ ንዲዮቅልጥያኖስ እሞ ንቕተሎ ንሰኻ ናይ ኣቦኻ መንግስቲ ትሕዝ እንተ በልዎ ንሱ “ኣነ ናይ ሰማይ መንግስቲ እምበር ናይ ምድሪ መንግስትስ ኣየድልየንን እዩ” ብምባል፡ ምስ ሰበይቱ ቅድስት ታውክልያን ወዱ ቅዱስ ኣቦሊን ናብ ዲዮቅልጥያኖስ ከይዶም ብጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ እምነቶም ገለጹ። ዲዮቅልጥያኖስ ስለዝፈርሆ ጐይታይ ዮስጦስ ኣይፋልካን ኢሉ ከም ቤተሰቡ መጠን ብትሕትና ለመኖ። “ወይቤሎ ዮስጦስ ሕያው እግዚኣብሔር ለእመ ኢጸሐፍከ ኵነኔየ በእንተ ስሙ ለክርስቶስ ከም ኣፈጽም ሰምዕየ ወገድልየ ወእመ ኣኮ ኣነ ኣነሥኣሙ ለሰብኣ ዛቲ ሃገር ላዕሌከ ወኣወጽኣከ እመንግሥትከ” ናይ ፍርደይ ጽሑፍ እንተ ዘይረክኒ ኣነ ነዞም ሕዝቢ ኣላዓሊለ ካብ መንግሥትኻ ክሰጐካ እየ ምስ በሎ፡ ዲዮቅልጥያኖስ ብፍርሂ “ኣብ ሃገር ግብጺ ናብ ዝርከብ መኰንን ሄርሜኔዎስ ልኢኩ፡ እንተ ገይሮሙልካ ብዝተፈላለየ መልክዕ ጣያት ክኣምኑ ፈትኖም። ካብኡ ዝተፈረ ንሰለስቲኦም ነንበይኖም ናብ ሰለስተ ቦታ ፋሕ ኣብሎም ዝብል ደብዳቤ ጸሓፈሉ። ምስ ኣበይዎ ብትእዛዙ መሠረት ፋሕ ኣበሎም። ማለት ንቅዱስ ኣቦሊ ናብ ሃገረ ብስጣ፡ ንቅድስት ታውክልያ ናብ ሃገረ “ፃ” ንቅዱስ ዮስጦስ ከኣ ኣብ ሃገረ እንዴናው ክሳዱ ብሰይፍ ቆሪጸም ቀተልዎ።

ንቅድስት ኣንስጣስያ እቲ ናይ ሃገር “ፃ” መኰንን ሄርሜኔውዎስ ከታልላ እኳ ብዙሕ እንተፈተነ ንሳ ግና ብፍቐሪ ክርስቶስ ስለ ዝተቓጸለት ኣበየቶ እሞ ብዝተለላለዩ መሳርሒታት ከሳቐይዋ ካብቲ ኩሉ ቁስልን መከራን ከኣ ዝተኣዘዘ መልኣኽ እግዚኣብሔር እናመጸ የድሕናን የጸናንዓን ነበረ።ነዚ ዝረኣዩ ሕዝቢ ከኣ ብብዝሒ ብጐይታ ኣመኑ። ኣብ መወዳእታ ክሳዳ ብሰይፍ ተሰይፋ ዓረፈት።

ጸሎታትን በረኸታን ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።

- ሰላም ለታውክልያ ለፈጽሞ ሠናይ ምርዋፃ።
- ኣመ ሰደድዋ ውስተ ምድረ ፃ፡
- ሬበ ሰነ ኣብየት ኢርእየት ዘበቀርነ ነጌ ተሓንፃ፡
- ወካዕበ ዓዲ ኢያንሥኣት ገጻ፡
- ለነጽሮ ወልዳ ኣቦሊ ወዮስጦስ ቢጸ፡

ስንክሳር ዕለት ፲፩ ግንቦት ናይ ቅ.ታውክልያ

ስንክሳር ዕለት ፲ የካቲት ናይ ቅ.ዮስጦስ

## ሰማዕት ቅዱሳት ደናግል ጤቅላ፡ ማርያ፡ ማርታ፡ ዓመታ፡ ዓበያ

ነዘን ቅዱሳት ደናግል ሓደ ካህን ፎላ ዝተባህለ ብዓለማዊ ሃብትን ንብረትን ገንዘብን ኣዝዩ ሃብታም ኰይኑ ብዛዕባ እምነት ቤተ ክርስቲያን ብዝግባእ መምህር ኰይኑ መሃረን። ይኹን እምበር እቲ ሽዑ ዝነበረ ንጉሥ ብገንዘብ ስሱዕ ስለ ዝነበረ ገንዘቡ ምወርሶ፡ ኻህሰስቲ ብዛዕባ ብዝሒ ሃብቱ ተኸሲሱ ምስ ቀረበ፡ እቲ ንጉሥ ገንዘብካን ንብረትካን ኣረክብ እንተበሎ ኣበየ'ሞ እቲ ንጉሥ ብዘሎ ንብረቱ ክውሰድ ኣዘዘ። ካህን ፎላ ንብረቱ ክምለሰሉ እንተለመነ እቲ ንጉሥ ኣበዮ። እቲ ንጉሥ ቀሺ ፎላ ዝቕተለሉ ምኽንያት ንምርካብ ነተን ንሱ ምሂሩ ኰስኵሱ ዘዕበየን ደናግል ጸዊው ናብ ፀሓይ ክሰግዳ ኣዘዘን። ንሳተን ንሓደ ኣምላኽ ኢየሱስ ክርስቶስ እንተዘይኰይኑ ኣይንሰግድን ብምባል ኣበይኡ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ንጉሥ ንመምህር ፎላ “ዝሞተ እንስሳ እንተበሊዕካ ከምኡውን ደም እንተሰቲኻ ገንዘብካ ክህበካ እየ” በሎ። መምህር ፎላ ኣፍቅሮ ንዋይ ስለ ዝሓደሮ ሕሉኾ በልዐ፣ ደምውን ሰተየ። ዝገደደ ከኣ ንክርስቶስውን ከሓደ። እቲ ንጉሥ ንመምህር ፎላ መኾተሊ ምክንያት ስለ ዝሰኣነሉ “ነዘን ዝመሃርካየን ደናግል ጢቢትካ ናብቲ ናተይ እምነት ፀሓይ ከም ዝምልኻ እንተ ገርካየን ገንዘብካ ክመልሰልካ እየ” በሎ ። መምህር ፎላ ሕጂውን እቲ ስስቧ ገንዘብ ስለ ዘይሓደጐ ነተን ቀደም ምሂሩን ኰስኵሱን ዘዕበየን ደናግል “እቲ ዝመሃርኩክን ጌጋ እዩ። ስለዚ በዚ ናይዚ ንጉሥ እምነት እመና ንፀሓይ ከኣ ኣምላኽ” እንተበለን፣ ንሳተን “ኣንታ ወዲ እቲ ክፉእ ሰይጣን፣ ኣንጻር ናይ ሓቂ እዚ ኩሉ ባዕልኻ ምሂርካናስ ሕጂ ንክርስቶስ ኣምላኽ ከሓድኦ . . ክትብለና” ብምባል ጸሪፈን ሰደድኦ። መምህር ፎላ ከምዝኣበያኦ ነቲ ንጉሥ ነገሮ። እቲ ንጉሥ ነቲ ዝበላኦ ቃል ሰሚዑ ብኩርማጅ ክወቅዓ እኳ እንተ ኣዘዘ፣ ንሳተን ግና ኣብ እምነተን ጸኒዐን ከይፈርሀ ጽንዓት ሃይማኖተን ገለጻሉ። ንሳልሳይ ግዜ እቲ ንጉሥ ንመምህር ፎላ፣ “ገንዘብካን ንብረትካን ክመልሰልካ ነዘን ደናግል ባዕልኻ ቅተለን” መምህር ፎላ ልክዕ ከምቲ ናይ ይሁዳ ብሰስዕቲ ገንዘብ ሰይጣን ስለ ዝሓደሮ ከይፈርሃ ኀኽቐትለን ናብተን ምሂሩ ዘዕበየን ደናግል ከደ። ክቐትለን ናባታተን ምስ መጽኣ፣ ንሳተን “ኣንታ ሃካይ መምህር፣ እዚ ኩሉ ምሂርካና ቅዱስ ሥግኡን ክቡር ደሙን ብኢድካ ኣቀራብካና፣ ሕጂ ንፍቐሪ ገንዘብ ክትብል ንዓና ንናይ ክርስቶስ ኣባጊዕ ክትቀትለና መጺእካ” እናበላ እንከለዋ ንሱ ከም ሓደ ናይ ኣቃትላ ምሁር ኰይኑ ኀኩላተን ኣራእሰን ብሰይፊ ቆራሪኡ ወድአን። እቲ ንጉሥ ውን ብወገኑ ፍቐሪ ገንዘብ ሰለ ዝነበሮ ከምኡውን ነቲ ናይ ካህን ፎላ ጭካኔ ርእዩ ብሴፍ ቀንጺሉ ቀተሎ። ካህን ፊላ ገንዘቡ ኣይረኸበ፣ ጽድቂ ኣይረኸበ፣ ንርእሱ በታ ዝቐተለላ ሰይፊ ተቐሪጹ ካብ ኩሉ ሓዲግ መዲግ ኰይኑ ተረፈ። ካብዚ ከምዚ ኣምላኽ ናይዘን ቅዱሳት ሰማዕታት ደናግል የድሕነና።

- ሰላም ለደናግል ማርያ ወማርታ፣
- ጤቅላ ዓበያ ወዓመታ፣
- እንዘ ኢይትእንተላ ሕቀ ወኢይትኣተታ፣
- መሰይፈ ቀሲስ መምህሮን እምድኅረ አሐቲ ካልዕታ፣
- ህየንተ ኃላፊ ንዋይ ጎቡረ ዘሞታ።

## ታሪኽ ሰማዕት ቅድስት ሣራ

ብኟኟ ሚያዝያ ቅድስቲ ሣራ ምስ ክልተ ደቃ ሰማዕትነት ተቐበለት። እዛ ቅድስቲ ኣደ'ዚኣ ኣብ ሃገረ ኣንጾኪያ ትቕመጥ ኮይና፣ ሰብኣያ “ሶቅራጥስ” ዝበሃል። ሓደ ካብ መኳንንቲ ዲዮቅልጥያኖስ ነበረ። እዚ ሰብኣያ ኣቐዲሙ ክርስቲያን ነበረ፣ ደሓር ግና ሃይማኖቱ ክሒዱ። እዛ ሰበይቱ በይና ክርስቲያን ነበረት። ሰብኣያ ሶቅራጥስ “ኣነ ንሃይማኖት ክርስትና የፍቅሮ እየ ንክርስቶስ ውን ኣይክሓድክዎን” ብዘይካ ነቲ ንጉሥ ፈሪሐ እንተዘይኮይኑ።

እዛ ቅድስቲ ክልተ ውሉድ ወለደት፣ እንቶኻ ግን ነቲ ንጉሥን ንሰብኣያን ፈሪሓ ጥምቀተ ክርስትና ከተጥምቆም ኣይከኣለትን። እዛ ቅድስቲ ኣደ ምስ ክርስቶስ ንዕኡ ምስጋና ይቕኖ። ብዙኅ ፍቕሪ ስለዝነበራ፣ ኀኩተጠምቐም ዓቢይ ገድሊ ተጋደለት። ነቶም ክልተ ደቃ ብመርከብ (ሓመር) ተጻዒና ናብ ናይ ሃገር እስክንድርያ ሊቀ ጳጳሳት ኣባ ጴጥሮስ ተበገሰት።

በቲ ዓቢይ እምነታ ርእዩ ጐይታ ስለዝፈቐደ፣ ዓቢ ንፋስ ኣውሎ ኣብ ባሕሪ ኣላዒሉ ነታ መርከብ ክሳብ ክትጠልቕ (ክትሰጥም) ትደሊ ገበረ። እዛ ቅድስቲ ሰበይቲ እዚኣ እዞም ደቃ ጥምቀት ክርስትና ከይረኸቡ መታን ከይሞቱ ብጣዕሚ ፈርሐት። ኣብዚ ግዜ'ዚ ተንሢኡ፣ ነዊሕ ጸሎት ጸለየት። መላፀ ኣልዒላ የማናይ ጡባ ጠብሐት። ካብ'ቲ ዝወሓዘ ደማ ሒዛ፣ ኀኩሉ ገጻቶም ልቦም፣ እንግድዓኣምን ዝባኖምን በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስን ብትእምርተ መስቀል ኣማዕተበት። ኣብ'ቲ ባሕሪ ሠለስተ ግዜ “በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ” ኢላ ኣጥመቐቶም። ብድሕሪ'ዚ ዓቢ ህድኣት ኣብ ባሕሪ ኮነ።

ሽዑ ኣብ ሃገረ እስክንድርያ በጺሓ፣ ናብ ሊቀ ጳጳሳት ኣባ ጴጥሮስ ጥምቀት ክርስትና ከጥምቆም ነቶም ክልተ ደቃ ኣቐረበቶም።

ሊቀ ጳጳሳት ሥርዓት ናይ ጥምቀት ጌሩ ብቐዳምነት ነቶም ደቂ ዓዲ ኣጥመቐም። ካብኡ ነቶም ደቃ ከጥምቐም ኣቐረቦም። እንቶኻ ከጥምቐም እንተደለየ እቲ ማይ ረግአ። ንዕኡም ኃዲጉ

ኀኻልኡት ውሉድ ከጠምቐ እንተደለየ እቲ ማይ ተፈትሐ (ከምዝነበሮ ኮነ)፡ ኣጥመቐም ድማ።
ብድሕሪ'ዚ ናብ'ቶም ደቂ እታ ቅድስቲ ኣደ ተመሊሱ፡ ከጠምቐም እንተደለየ እቲ ማይ ረግአ። ሠለስተ ግዜ ደጋገሞ። በዚ ከኣ ተገረመ።
ብድሕሪ'ዚ ናብታ ኣዲኡም ከይዱ፡ ነገራ። ንሳ ድማ ኣብ ባሕሪ ዘጋጠማ፡ ኩሉ ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ደም ካብ ጡባ ጠቢሓ ብምውሳድ ከምዝቐብኣቶም ካብቲ ማይ ባሕሪ ጌራ ድማ ከምዘጥመቐቶም ነገረቶ፡ ከምኡ ውን በቲ ዝገበረቶ ድፍረታ ነቲ ኣበሳኣ ክሓድገላ ለመነቶ።
ቅዱስ ጴጥሮስ ሊቀ ጳጳሳት ንቐድስቲ ሳራ ብዛዕባ ደቃ ሓተታ እሞ ንሳ ኩሉ እቲ ኣብ ባሕሪ ዝጋጠማ ሓደ ብሓደ፡ ማለት ማዕበል ተላዒሉ ንዕኣን ንደቃ ከይተጠመቑን ዝቐትል ኰይኑ ምስ ተሰምዓ ካብ የማናይ ጡባ ደም ቀንጂሓ ብትእምርተ መስቀል ከምዝቐብኣቶምን ኣብቲ ባሕሪ'ውን ብስም ኣብን ወልድን መንፈስቅዱስን ከም ዘጠመቐቶምን ነገረቶ።
ነቲ ብድፍረት ዘይግብኣ ባዕላ ዘጠመቐቶም በደላ ከስተስርየላ ከኣ ለመነቶ። ቅዱስ ጴጥሮስ "ኣጆኺ ኣይትፍርሂ እቲ ንሸኺ ኣብቲ ባሕሪ ምስ ኣጥለቐኺዮም ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ በታ መለኮታዊት ኢዱ ጌሩ ኣጠሚቐዎም እዩ።"
ድሕሪ'ዚ ኣባ ጴጥሮስ ቅዱስ ቍርባን ኣቐበሎም። ተቐቢሎም ቅድስት ሣራ ናብ ሰብኣያ ሶቅራጥስ ሃገረ ኣንጾኪያ ተመልሰት። ሰብኣያ ሶቅራጥስ ምስ ረኣያ በቲ ዝገበረቶ ተቈጢዑ ናብ ንጉሥ ከሰሳ። እቲ ኩሉ ዝገበረቶ ከኣ ነገሮ።
እቲ ንጉሥ ተቐቢሉ "ናብ ሃገረ እስክንድርያ እንታይ ክትገብሪ ኬድኪ፡ ምስቶም ደቂ ክርስቲያን ዝሙት ክትፍጽሚ ዲኺ ኬድኺ፡" ምስ በላ፡ ንሳ "ደቂ ክርስቲያን እኮ ኣይዝምው፡ ጣያት ኣየምልኹ፡ ኣባይ ከኣ ድሌትካ ድኣ ፈጽም እምበር ካብዚ ንላዕሊ ኣይዛረበካን እየ" በለቶ። እቲ ንጉሥ "በሊ እቲ ኣብ ሃገረ እስክንድርያ ዘጋጠመኪ ንገርኒ" እንተበላ ዋላ ሓንቲ ቃል ኣይመለሰትሉን። እቲ ንጉሥ ንዕኣ ኣእዳዋ ንድሕሪት ኣሲሮም ነቶም ክልተ ደቃ ድማ ኣብ ሕቑፉ ጌሮም ንሠለስቲኦም ብሓዊ ከንድድዎም ኣዘዘ።
ንሳ ገጻ ናብ ምብራቕ ጌራ ጸለየት። እሞ ምስ ደቃ ብሓዊ ኣቃጺሎም ቀተልዋ። ናይ ስምዕትና ኣኽሊል ክብሪ (ዓወት) ከኣ ተቐበለት።

*ጸሎታን በረኽታን ምስ ኵልና ይኹን። ኣሜን።*

- ሰላም ለሳራ እምሥርወ ክርስቲያን ሙላዳ፡
- ብእሴሃ ዕልው ሶበ ዓውደ ምኵናን ወሰዳ፡
- እምሰሚዓ ቃሉ ርኩስ ሶበ ኢተሰጥወቶ ለአግራጺዳ፡
- አዘዘ ያውዕይዋ ለእቶነ እሳት በነዳ፡
- አንቢሮሙ በከርሣ ክልኤተ ውሉዳ።

## *ሰንክሳር ዕለት ፳፰ ሚያዝያ*

✠ ✠ ✠

## ታሪክ ሰማዕት ኣዴና ቅድስት ኣርሴማ

ኣዴና ቅድስት ኣርሴማ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ንእግዚኣብሔር ብቕንዕና ዘገልግልዎ ካብ ዝነበሩ ካህናት ወገን ዝኾኑ ኣቡኣ ቴዎድሮስን ኣዲኣ ቅድስት ኣትናሲያን ከም ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ብመብጽዓ ተወልደት። ወለዳ ብዙሕ ሃብትን ንብረትን ዝነበሮም ፈሪሃ እግዚኣብሔር ምስ ሠናይ ግብሪ ዝሓዙ ስለዝነበሩን ነዚ ኵሉ ሃብትን ንብረትን ዝወርሰልና ውላድ ሃበና ኢሎም ምስ ለመኑ እዛ ቅድስት ኣደ ተፀንሰት። እዛ ዝኸበረት ፍጥረት ምስ ወለዱ ብኽብሪ፡ ሕግን ሥርዓትን ቤተ ክርስቲያንን ትምህርተ ሃይማኖትን እናመሃሩ ኣዕበይዋ።
ቅድስት ኣርሴማ ብዘመን ከሓዲ ንጉሥ ዲዮቅልጢያኖስ እያ ትነብር ኔራ። እዚ ንጉሥ'ዚ መልክዐኛ ዝኾነት ጓል ኻህምርያ ስለዝደለየ ንወተሃደራቱ ናብ ኵሉ ዓድታት ከይዶም መልክዐኛ ዝኾነት ጓል ምስ ረኸቡ ስኢሎማ ኻህመጹ ኣዘዘ። እዞም ዝተላእኩ ኣብ ሃገረ ሮሜ ኣብ እትርከብ ስፍራ ደናግል ምስ በጽሑ ንቅድስት ኣርሴማ ረኸብዋ። ብጽባቐ መልክዓ ተገሪሞም፡ ስኢሎም ንንጉሥ ዲዮቅልጥያኖስ ሰደዱሉ። ንሱውን ስእላ ምስ ረኣየ ብዙሕ ተሓጐሰ። ኻኾሎም ነገሥታትን መኳንንትን ድማ ናብ መርዕኡ ኻህመጹ ዓደመ።
እተን ደናግል ነዚ ጉዳይ'ዚ ምስ ፈለጣ ካብቲ ቦታ ብምውጻእ እግዚኣብሔር ብድንግልና ኻህዕቅበን ብብኽያት ንኣምላኽ ልመናኣን ኣቕረባ። ሃዲመን ከኣ ብጊዜ ንጉሥ ድርጣድስ ኣብ ሃገረ ኣርማንያ በጺሐን ኣብተን ኣጸምእ

ጐቦታት ምንባር ጀሚረን። እዞም ፍ፩ ሰብኡትን ኣንስትን ካብዚኣቶም ኸኣ ፴፱ ዝኾና ደናግል ኣንስቲ ብዘይ መግብን መስተን ኣብ ዓቢ ጸገም ይነብሩ ኔሮም። ሓንቲ ካብአን ግና ብዓቕማ መቐመጢ መብራህቲ ሰሪሓ ካብ ዝሸጠቶ ብመጠኑ ይምገባ ኔረን።

ነቲ ናይ ቅድም ቦትአን ስለዝገደፉ ንጉሥ ዲዮቅልጥያኖስ ንቅድስት ኣርሴማ ብኣካል ክረክባ ኣይከኣለን። እንተኾነ ኣብ ምድረ ኣርማንያ ምህላዋ ምስ ሰምዐ ንናይቲ ኣውራኛ መኰንን ዝኾነ ንጉሥ ድርጣድስ ነዛ ድንግል'ዚኣ ሒዙ ናብኡ ኽኸምጽኣሉ ኣዘዘ። ነዚ ምስ ሰምዓ ከኣ ናብ ካልእ ቦታ ከይደን ተሓብኣ። ነዚ'ውን ዝሰምዐ ንጉሥ ድርጣድስ ንቅድስት ኣርሴማ ብኽብሪ ከምጽእዋ ኣዘዘ። ናብኡ ምምጻእ ስለዝዓበየት ግና ብኃይሊ ኣገዲዱም ናብቲ ንጉሥ ኣምጽእዋ። ንሱ ምስ ረኣያ ድማ ንዕኡ ክትኰኖ ተመነያ። ንሳ ግና ኣቐዲማ እመ ምኔት (ኣደ ገዳም) ዝኾነት ቅድስት ኣጋታ ኣብ ዝኾነ ይኹን ነቲ ሰማያዊ ዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ ወልደ እግዚኣብሔር ከምዝተሓጽየትን ካብ ዝኾነ ርኽሰት (ክፍኣት) ክትርሕቕ ከምዝግብኣ ትምህራ ዝነበረት ኮሉ ዘኪራ ኣብ ቅድስንኣ ጸንዐት።

ንጉሥ ድርጣድስ ከምቲ ሥጋዊ ድሌቱ ስለዘይረኸበ ርእሳ ኽኽትምተር ኣዘዘ። እቶም ወተሃደራትውን ከም ዝተኣዘዝዎ ብገመድ ስሒቦም ርእሳን መልሓሳን መቲሮም ኣዒንታውን ጐጥጒጦም ኣውጺኦም ፷፱ መስከረም ብሰማዕትነት ሓሊፋ። ብሕርቃን ድማ ነተን ዝተረፋ ደናግል ብግፍዒ ክቕተላ ኣዘዘ። ነዚ ግፍዒ እዚ ምስ ረኣየት ዝተቓወመት ኣደ'ውን ብተመሳሳሊ ብሰይፊ ርእሳ ተመቲሩ ብሰማዕትነት ሓለፈት።

ናይ ኵሎም ካብ ሃገረ ሮሜ ምስተን ደናግል ዝመጹ ብጠቕላላ ፍ፱ ሰባት ፈሳኣም ኣብቲ ቦታ ተረፈ። እቲ ሰይጣን ዝሓደሮ ንጉሥ፣ እግዚኣብሔር ስለዝቐጽየ ክሳብ ብጸሎት ቅዱስ ጎርጎርዮስ ካብቲ ጉድጓድ ዝወጽእ ኣእምሮኡ ጠፊእዎ ምስ ኣራዊት ይነብር ነይሩ። ድሕሪ ጸሎት ቅዱስ ጎርጎርዮስ ግና ናብ ልቡ ተመሊሱ ብጐይታ ሰማይን ምድርን ኣሚኑ ናይዞም ቅዱሳን ሰማዕታት ኣዕጽምቲ ኣኪቡ ኣብ ጽቡቕን ፍሉይን ስፍራ ኣቐመጦ። ድሕሪ ብዙሕ ጊዜ ከኣ በብስሞም ቤተ ክርስቲያን ተሓኒጹሎም፣ ሥጋኦም ኣብኡ ስለዝነበረ ድማ ብዙሕ ተኣምር ይፍጽም ነበረ።

*"ዝክረ ጻድቅ ለዓለም ይሄሉ"* መዘኸርታ ጻድቕ ንዘለዓለም ይነብር መዝ. ፻፲፪፥፮ ኢሉ ቅዱስ ዳዊት ከም ዝጸሓፎ ቅድስት ቤተ ክርስቲያንና፣ ቅድስት ኣርሴማን ካልኦት ቅዱሳንን ብሰማዕ ትነት ዝዓረፉላ ፷፱ መስከረምን ቅዳሴ ቤታ ንቅድስት ኣርሴማ ድማ ፮ ታሕሳስ ክሳብ ምጽኣት ትዝክሮን ተኽብሮን ኣላ።

ኣብ ሃገርና ኤርትራ ኣብ ዓዲ ሓውሻ ዝተባህለ ዓዲ፣ ዓቢ ክብሪ ኣለዋ።

- በያታ ጎሩያን ዕደው እንተ ተሐብሪ ያታ፣
- እንበለ ትፍርሂ ምንተ ብልሓ ኰያንው ወፅዕዳዌ ወልታ፣
- ዘፈጸምኪ ስምዓ በእንተ ኢየሱስ ንጉሠ ኤፍራታ፣
- ሰላም ለኪ ኦርሴማ ምስለ እምኪ ኣጋታ፣
- ወለደናግል ስላም ዘድጎሬኪ ሞታ።

***ጸሎት ናይ ኣዴና ቅድስት ኣርሴማን በረኽት ኵሎም ቅዱሳንን ኣይፈለየና። ኣሜን።***
***ምንጪ፦ ሰንክሳር ፷፱ ዘመስከረም።***

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ሰማዕት ቅድስት ጤቅላ ዘእንበለ ክእወተ ደም

ሰማዕት ቅድስት ጤቅላ ካብ ክቡራትን ብሥጋ ሃብታማትን ዝኾኑ ወለዲ ኣብ ሃገረ መቄዶንያ ተወልደት። ወለዳ ኣመንቲ ጣያት እኳ እንተኾኑ ንዓለማዊ ኣተዓባብያ ብዝምልከት ብግቡእ ኣዕበይዋ። ብርሃነ ዓለም ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ ግዜ ስብከቱ፣ ኣንቀጸ ብፁዓን ክምህር እንከሎ ብምስማዕ ልባ ተተንኪፋ። ንሠለስተ መዓልቲ ዝኣኽል ካብቲ ዝነበረቶ ሣልሳይ ደርቢ ቤታ ከይወረደት ቀነየት። ማለት ከይበልዐት ከይሰተየት ብጾም ቀነየት።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣዲኣ እዛ ጓለይ ስለምንታይ ዘይትበልዒ፣ ዘይትሰትዪ፣ ካብቲ ደርቢ ኸ ዘይትወርዲ ምስ በለታ፣ ወሪዳ ብሕቡእ ቅዱስ ጳውሎስ ናብ ዘለዎ ቦታ ከደት። ንሱ ብጽቡቕ ተቐቢሉ ኣስተምሃራ። ንጽባሒቱ ኣዲኣ ደልያ ምስ

ቅዱስ ጳውሎስ ረኸበታ። ናብቲ ሽዕኡ ዝነበረ ኣንጻር ክርስትና መኰንን ከኣ ኣሕሊፉ ሃበታ።
እቲ መኰንን እንተላይ ንቅዱስ ጳውሎስ ከምጽኡሉ ኣዘዘ። ንቅዱስ ጳውሎስ ከኣ ናብ ሓዊ ደርበዮ። ንሰማዕት ቅድስት ጤቅላ ግን ኣጽንሓ። ማለት ነተን መዛኑኣ ደቂ መቄዶንያ ካብኣ ኣሰቓቂ ዝኾነ ስቓያት ብምርኣይ ምእንቲ ከፈራርህ ኀኹላተን ኣዋልድ ኣኪቡ ናብ ሓዊ ደርበያ። እቲ ሓዊ ግን ካብ ሰብነታ ዋላ ሓንቲ ኣይተንከፈን። እንደገና ካብኡ ወጺኣ ርእሳ ብምልጻይ ንቅዱስ ጳውሎስ ተኸተለቶ።
ካልእ መኰንን ወሪኡ ዝሰምዐ እውን ከምኡ ከሳቕያን ብጣያቱ ከእምናን ፈተነ። ንሳ ግን ኣበየቶ። ንሱ'ውን ከም ነቢይ ዳንኤል ናብ ኣናብስት ደርበያ። እቶም ኣናብስት'ውን ኣይተንከፍዋን፣ ሰገዱላ ድኣ። ጸበል እግራ'ውን ለሓሱ። እቶም ናብ ኣናብስት ዘእተውዋ ንጽባሒቱ ሞይታ ትኸውን ኢሎም እንተመጹ ብሕይወታ ረኸብዋ። ብትምህርታ ኣሚኖም ከኣ ተጠመቁ።
ንሳ ግን ኩሉ ግዜ ተኽታሊት ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ኮነት። ብስም ክርስቶስ ከኣ ትሰብኽ ነበረት። ኣብ መወዳእታ እዚ ኩሉ ፈተነታት ኣሕሊፉ ብዘይ ደም ብሰላም ካብዚ ዓለም'ዚ ኣዕረፈት።
***ጸሎታን በረኽታን ንቅድስት ጤቅላ ንኦላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይሓልወና!!!***

- ሰላም ለጤቅላ ዓውደ ኣልባሲሃ ዘኢቀርቡ።
- ሐልዮ መርዓ በጣሊ ወዘየሓልፍ ከብካቡ።
- በውስተ ዕዝና ዋህድ ወበውስተ ልባ ካዕቡ።
- እስመ ሮፀ ለሐዋርያ ዘይቤ ንባቡ።
- ከመ ዘኢያውሰቡ ይከውኑ እለኒ ኣውሰቡ።

***ምንጪ፦ ሰንክሳር መስከረም ዕለት ፳፪***

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ጻድቅት ቅድስት ኣፎምያ በዓል ዝክር ቅዱስ ሚካኤል

ቅድስት ኣፎምያ በዓልቲ ሓዳር ኮይና ሰብኣያ ፈራሂ እግዚኣብሔር ነበረ። ካብ እምነቱ ዝተላዕለ ከኣ ብዙኅ ምጽዋት ይምጽውት ከምኡውን ኣብ ዓመት ምስ እዛ ክብርቲ በዓልቲ ቤቱ ቅድስት ኣፎምያ ኮይኑ ፲፱ ወርሒ መጸ ናይ ቅዱስ ሚካኤል፣ ዕለት ፳፩ ናይ ቅድስት ድንግል ወርሒ መጸ፣ ዕለት ፳፱ ጐይታ ዝተወልደሉ ወርሒ መጸ ኢዮም። ዝሞተሉ ግዜ ምስ ቀረበ ነዘን ንሱ ዘብዕለን ዝነበረ ቤተ በዓላትን ምጽዋትን ኀኹይቋረጽ ተላበዋ። ንሳ ብወገና ናይ ቅዱስ ሚካኤል ሥዕሊ ኣምጺኣ ኣብ ቤታ ተንብሮ ነበረት። እቲ ሰብኣያ ሞተ። ንሳ ነዘን ዝተላበዋ በዓላት እናኣብዓለት ክትነብር ከላ ጸላኢ ሠናያት ቀንኣላ እሞ ብኣምሳል ሓንቲ ፈላሲ ተመሲሉ መጺኡ "ንሰኽስ ንእሽቶይ ኢኺ ሕጂ ከኣ ገንዘብኪ ከይተወድአ እንከሎ ተመርዒኺ ውለዲ እንሆ በዓል ቤትኪ በቲ ጽቡቕ ግብርኹም ጸዲቑ እዩ። ከይትደክዩውን ምጽዋት፣ በዓላት ኣይተብዝሒ" በላ።
ቅድስት ኣፎምያ "ኣነ ድሕሪ ሰብኣየይ ካልእ ሰብኣይ ኀኹይምርያ ቃል ኣትየ እየ። እንኳን ሰብ ረጋቢት እኳ ሰብኣየን እንተሞይቱ ከምኡ ዘይገብራ። ሰብ ግዳ ብመልክዕ ኣምላኽ ዝተፈጥረ ነዚ ነገርዚ ከመይ ኢለ ይፍጽሞ" ኢላ መለሰትላ። ምኽሩ ምቕባል ምስ ኣበይቶ ሕብሪ ገጹ ተለዊጡ "በሊ ካልእ መዓልቲ ክመጸኪ እየ" ኢሉ ንሳውን ናይ ቅዱስ ሚካኤል ሥዕሊ ኣልዒላ ሰደደቶ። ኀኻልኣይ ጊዘ ናይ ዕለት ፲፪ ሰኔ ዝክር ክትገብር እናተዳለወት እንከላ መጺኡ "ኣነ ቅዱስ ሚካኤል ሊቀ መልእኽት እየ። ሕጂ እግዚኣብሔር ናብኺ ልኢኹኒ ከምዚ ኢሉ ከኣ ኣዚዙኪ። "ምጽዋት ዝብሃል ግደፍዮ።" ካብ ኣመንቲ ናብ ሓድ ሰብኣይ ከኣ ተመርዓዊ ምኽንያቱ ትፈልጢ ኢኺ ሰብኣይ ዘይብላ ሰበይቲ መልሕቅ ዘየብላ መርከብ እያ ትመስል። ካብ መጻሕፍቲ ከኣ ክጠቕቕሰላ ጀመረ ንኣብነት እኒ ኣብርሃም ይስሓቅ፣ ያዕቆብ፣ ዳዊት . . .ወዘተ እዚኣቶም ተመርዕዮም ዮም ንእግዚኣብሔር ዝፈጸሙ" በላ። ንሳ "ንሰኻ መልእኽ እንተድኣ ኳንካ እቲ ትእምርተ መስቀል ድኣ ኣበይ ኣሎ፣ ምኽንያቱ ሓደ ናይ ንጉሥ ወተሃደር ብዘይ ዕጥቂ ኣይኸይድን እዩ" በለቶ። ሰይጣን ነዚ ምስ ሰምዐ መልክዕ ገጹ ለዊጡ ሒዙ ሓነቓ። ንሳ ናብ ቅዱስ ሚካኤል ሊቀ መላእኽት ጸለየት እሞ መጺኡ ካብ ኢድ ሰይጣን ኣድሓና።

ነቲ ሰይጣን ከኣ ኣሳቐዮ። ሰይጣን ግና ኣምላኽ እኳ ክሳብ ምጽኣት ዓልም ተዓጊሱኑ ዘሎ ንሰኻ ከኣ መሓረኒ ኣይትኹንነኒ ምስ በሎ ብስም እግዚኣብሔር ስለ ዘምሓሎ ሰጕግዎ ድኣበር ኣየጥፍኦን። ቅዱስ ሚካኤል ንቅድስት ኣፎምያ “ግዜ ሞትኪ ስለ ዝቐረበ እቲ ዝሓሰብክዮ ኪዲ ኣዳልውዮ” በላ። ንሳ ኩሉ ኣዳልያ ኤጲስ ቆጶስ፡ ካህናት ናብ ቤታ ክመጽኡ ጸውዓቶም። ኩሉ ዘሎ ንብረትን ገንዘብን ከኣ ንደኻታት ምእንቲ ክዕድሉላ ሃበቶም። ቅድስት ኣፎምያ ሥዕሊ ናይ ቅዱስ ሚካኤል ኣልዒላ ኣብ ገጻ ኣጣበቕቶ። ሽዑ መዓልቲ ብሰላም ኣዕረፈት። እግዚኣብሔር ኀኹልና ሕዝበ ክርስቲያን ይምሓረና።

- ሰላም ለኣፎምያ ዘሞዓቶ ለመስቴማ፡
- በቃለ ትምይንቶ ሶበ ተቃወማ፡
- በዛቲ ዕለት በከመ ኣደማ፡
- ሥዕሎ ለሚካኤል እንዘ ታነብር በፍጽማ፡
- ውስተ ዘለዓለም ዕረፍት ፈለሰት እምጻማ

***ሰንክሳር ዕለት ፲፪ ሰኔ***

## ታሪኽ ጻድቅት ቅድስት ኢዮጰራቅስያ ዘመድ ነግሥታት

ስም ኣቡኣ ኣጤጐስ ስም ኣዲኣ ከኣ ኢዮጰራቅስያ ይብሃሉ። ኣቡኣ ኣማኻሪ ናይ ቤተ መንግሥቲ ኣብ ርእሲ ምንባሩ ምስ በዓልቲ ቤቱ ውላድ ስለዘይነበሮም ውላድ ምእንቲ ክህቦም ብጾምን ጸሎትን ንኣምላኽ ይልምኑ ነበሩ። እዛ ቅድስቲ ኣደ እዚኣ ምስ ወለዱ ኣዝዮም ስለ ዝተሓጐሱ ብስም ኣዲኣ ኢዮጰራቅስያ ኢሎም ኣውጽኡላ። ድሕሪ ቁሩብ እዋን ኣቡኣ ኣጤጐስ ሞይቱ። እቲ ንጉሥን እታ ንግሥትን ኣዝዮም ስለ ዝፈትውዎ ሸኸይሉ። ብኽብሪ ከኣ ቀበርዎ። ኣብዚ ግዜ እዚ ኣዲኣ ኀል (፮) ዓመት ምሸኾነት ናብ ደብረ ደናግል፡ ወሰደታ። ቅድስት ኢዮጰራቅሰያ ሕጻን ከም ምኻና መጠን እቲ ኩሉ ጽቡቕ ሥራሓተን ርእያ ነተን ደናግል፡ “እዚ ኩሉ ተጋባራትክንሲ ንምንታይ እዩ፡” ብምባል ሕቶ ኣብ ዘቐረበትለን ግዜ “ምእንቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ” በልኣ። ንሳ “ኣበይ ኣሎ”፡ ምስ በለተን ኣብኡ ዝነበረ ሥዕሊ ናይ ጐይታ “እዚ እዩ” ኢለን ምስ ነገራኣ ንግዚኡ ተምበርኪኻ ሰገደትሉ። እግሩውን ሰዓመቶ። ናብታ ዲያቆናዊት ብምኻድ ከኣ ከተመንኩሳ ሓተተታ።

እዚ ነገር እዚ ናብ ኣዲኣ ይበጽሕ እሞ ኣዲኣ ተሓጐሰት። ነተን ደናግል ከመንኩስኣን ክናብያኣን ሓደራ ሂባተን ኣብ ሓጺር ግዜ መተት። ቅድስት ኢዮጰራቅስያ መንኩሳ ብጾምን ብጸሞትን። ክትጋደል ጀመረት። ኣብ ሰሙን ከኣ ሓንቲ መዓልቲ ጥራይ እኽሊ ትጥዕም ነበረት። በዚ ጽቡቕ ቅድስናኣ ዝቐንአ ጸላኢ ሠናያት ብብዘሕ ነገራት ፈተና። ማለት ሓደ ግዜ ናብ ማይ ይድርብያ። ሓደ ግዜ ዕንጨይቲ ክትኣሪ እንከላ ብምሳር ይወቕዓ ሓደ ግዜ ውዑይ ማይ ይኽዕወላ። ንሳ ግና ገለ ኣይኮነትን። ነተን ደናግል ከኣ ብትሕትና ትለኣኸንን ተገልግለንን ነበረት። ሓደ ግዜ ኣብ ሓዊ ምእንድ፡ ኣብ ማይ ምምጻእ . . . ይእዝዛኣ ነበራ። ንሳ ብዘይትህኪት ብትግሃት ትላኣኽ ነበረት። ንኣርብዓ መዓ ልቲ ከይደቀሰት ብጠጠው ትቕኒ ብምንባራ እተን ደናግል የድንቓኣ ነበራ። እግዚኣብሔር ኣምላኽ ኣጋንንት ከተውጽእ፡ ሕሙማት ክትፍውስ፡ ሓንካሳት ከተበርትዕ፡ ዕውራት ከተብርህ ብዙሕ ተኣምራት ክትፍጽም ጸጋ ሃባ።

እታ ቅድም መጽሓፍ ዝመሃረታ ኢዮልያ ዝተባህለት ዲያቆናዊት ድንግል ናይ ቀረባ ፈታዊት ኢዮጰራቅስያ ኀል ፴ ዓመት ምስ ኮነት ኣብ ሕልማ መላእኽቲ ናብ ቤት መርዓ ከእትውዋ ረኣየት እሞ ኢዮዓራቅስያ ከም ትመውት ስለ ዝተረድኣት ነተን ማኅበረ ደናግል ነገረተን። ኢዮጰራቅስያ እንተኸድኣ ሓሚማ ጸንሓተን። ብብኽያት ክትጽልየለንን ክትባርኸን ከኣ ለመናኣ። እሞ ባረኻተን ኣዕረፈት። ኣብታ ኣዲኣ ዝተቐብረትላ ቦታ ከኣ ተቐብረት።

እታ ዲያቆናዊት ፈታዊታ (ኢዮልያ) ኣብቲ መቓብራ ከይዳ ጸለየትሞ ከምታ ፍቕረን ኣብ መበል ሳልሳይ (ሳልስታ) ኣዕ ረፈት። እግዚኣብሔር ብጸሎታተን ይምሓረና።

- ሰላም ለኢዮጰራቅስያ እንተ ኣርትኣት ፍናወ፡
- ከመ ታሰተሐፍር በገድል ጽኑዓነ ኃይል ዕደወ፡
- ኣመ ኣቀኑሳላ ጸላዒ እስከ ብዝኃ ደም ተክዕወ፡
- እንበለ ታስተጋብእ እምተዘርዎ እንተ ሓጠበት ዕፀወ፡

- ሶበ ሰአላሃ አኃት ኣበየት አቲወ፡

## ታሪኽ ጻድቅት ኣትናስያ

እዛ ቅድስት ኣደ እዚኣ ወለዳ ሃብታማት ኮይኖም ኣብ ሃገረ መኣፍ ተወልደት። ወለዳ ኣዝዮም ሃብታማት ስለ ዝነበሩ ንብረትን መንበሪ ኣባይትን ገደፉላ። ቅድስት ኣትናስያ ሓደ ጽቡቕ ሓሳበት። ንሱ ድማ ኣብቲ ዝገደፍላ ኣባይቲ ኮይና ንመነኮሳትን ንኣጋይሽን ምቕባል ነበረ። ኩሉ ገንዘብ ክሳብ ዝውዳእ ከኣ ነቶም ናብኣ ዝመጽኡ መነኮሳትን ድኻታትን ዘድልዮም ብምሃብ እናኣገልገለት ጸንሐት። ንነዊሕ ግዜ ብኽምዚ መልክዕ ምስ ጸንሐት ሰይጣናውያን ዝኾኑ ሰባት "ነዚ ጽቡቕ ቤትኪ (ሆቴል) ቤተ ዝሙት እንተትገብርዮ ብዙሕ ገንዘብ ምረኽብኪ" ኢሎም ብዘጋገይዋ፡ ገዝኣ ቤተ ዝሙት ገበረት። እዚ ሕማቕ ዝኾነ ወሬኣ ኣብ ኣረጋውያንን መኾሰታን ቀደም ዝፈልጥዋ ዝነበሩ በጽሐ እሞ ንሳቶም ከመይ ጌሮም ከምዝመልስዋ ተማኺሮም ንኣባ ዮሓንስ ሓጺር መሪጾም እግዚኣብሔር ብዝገለጸሉ ክመልሳ ለኣኽዎ። ኣባ ዮሓንስ ብጸሎት ክሕግዝዎ ሓደራ ኢሉ ናብ ኣትናስያ ገጹ ኣምርሐ። ናብታ ቤታ መጺኡ ነታ ሓላዊት ማዕጾ ሠራሕተዐኣ ከም ሐደ ካብቶም ዝመጽእዋ ዝነበረ ሰባት ኮይኑ ንእመቤትኪ መጺአ ከም ዘሎኹ ንገርያ በላ። እታ ተለኣኺት ሓደ ሰብ መጺኡ ኣሎ ኢላ ምስ ነገረታ ንዝሙት ዝመጸ መሲልዋ ተሰሊማ ተቕቢላ እቲ ጽቡቕ ልቢ መንእሰያት ዝሰልብ ክዳና ተኺዲና ጨናኣ ነስኒሳ ዓራታ ኣንጺፋ "እቶ በሊዮ" በለታ። ቅዱስ ዮሓንስ ሓጺር ናብኣ ኣትዩ ከምዚ እናበለ ዘመረ "እመኒ ሑርኩ ማእከለ ጽላሎተ ሞት ኢይፈርሀ ለእኩይ እስመ አንተ ምስሌየ" ንሰኻ ምሳይ ስለ ዘሎኻ ዋላ ናብ ድነ ሞት እንተ ከድኩ ኑቲ ክፉእ ኣይፈርሆን እየ"። እዚ ቅዱስ ኣቦ ናብኣ ምስ ኣተወ ኣብቲ ናታ ዓራት ኣቕመጠቶ። ሽዑ ንሱ ብኽምዚ ዝስዕብ ክግስጻ ጀመረ። ናብኣ ብምጥማት "ስለምንታይ ኢኺ እዚ ኩሉ ግብረ ሠናይ ናይ ቀደምኪ ረሲዕኪ ናብዚ ክፉእ ተግባር ብምእታው ንገሎይታ ትኽሕድዮ" በላ። ነዚ ነገርዚ ምስ ሰምዐት ኣዝያ ፈርሀት። ንሱውን ከምዝፈርሀት ስለ ዝፈለጠ ርእሱ ኣድኒኑ ሰኽየ። ንሳ "ስለ ምንታይ ትበኪ ኣሎኻ"፡ ኢላ ሓተተቶ። ንሱ ከምዚ ኢሉ መለሰላ "ኣብ ገጽኪ ኣጋንንት ክጻወቱ እርኢ ስለ ዘሎኹ ክበኪ ክኢለ" በላ። ንሳ "በል እሞ ሓጂ እንተተነሚሐ እግዚኣብሕር ይቕበለኒዶ መስለካ"፡ በለቶ። ንሱ "እግዚኣብሔር ርኅሩህ ስለ ዝኾነ እወ ይቕበለኪ" በላ። በል "ናብ ይግብኣ እዩ ዝበልካዮ ውሰደኒ" ምስ በለቶ፡ "ተንሚእኪ ንዒ ተኸተልኒ" ኢልዋ ተበገሰ። ንሳውን ተንሚኣ ካብ ንግሆ ክሳብ ምሸት ካብ እግሩ ከይተረፈት ተኸተለቶ። ምስ መሰየ ኣብ ሓደ ገዳም ክሓድሩ ምስ ተኣለዩ ንኣትናስያ ንሸኺ "ንበይንኺ ኣብዚ ደቅሲ" ኢልዋ ካብኣ ርሕቕ ኢሉ ንበይኑ ደቀሰ። ፍርቂ ለይቲ ጸሎቱ ምስ ኣብጽሐ ካብ ሰማይ ናብታ ኣትናስያ ዘላታ ምድሪ፡ ክወርድ ረኣየ። ንነፍሳውን መላእኽቲ ተሰኪሞማ ክኸዱ ረኣየ። ተንሚኡ ናብታ ቦታ እንተኸደ ሞይታ ጸንሓቶ። ናብ መሬት ወዲቑ ብምስጋድ "ነዛ ሰብ እዚኣ ሓዲግ ኣትሪፈያ። ኣይ ብነፍሳ ክትጸድቕ ኣይ በቲ ሒዛቶ ዝነበረት ዓለማዊ ናብራ ክትነብር ኢሉ ናብ እግዚኣብሔር ብጸሎት ሓተተ። ካብቶም ብዙሕ ግዜ ዝንሥሑ ብዝበለጸ ናታ ንሥሓ እግዚኣብሔር እታ ካብቤታ ውጽእ ክትብል እንከላ ተቕቢልዋ እዩ ዝብል ድምጺ ሰምዐ። ሽዑ ኣባ ዮሓንስ ሓጺር ተንሚኡ ነቶም ዝለኣኽዎ ማኅበር መነኮሳት ኩሉ ዘጋጠሞ ዘበል ፍጻሜታት ነገሮም። እቶም ቅዱሳን መነኮሳት መጺኦም ብኣገባብ ገኒዞም ቀበርዎ። እግዚኣብሔር ብጸሎታ ይምሓረና ኣሜን።

- ሰላም ለኣትናስያ ለተሊወ ክርስቶስ ፈማ፡
- በምክረ ሓጺር ዮሓንስ ኢ ከማ፡
- ሶበ መነነት ዓለመ ወገደፈት ትርሲተ ዘማ፡
- ነፍሳ ወሰዱ መላእክት እንዘ የኃልዩ በዜማ፡
- በዕለተ ዶሚና ሰማዕት ኣዕረፈት እምጻማ፡

***ሰንክሳር ዕለት ፪ ነሓሰ***

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ጻድቕት እምባ መሪና

ኣብ ከባቢ ገዳም ኣስቄጥስ ግብጺ ሓደ ክቡር ንጉሥ ነበረ። ሰበይቱ ምስ ሞተት ክምንኵስ ሓሰበሞ ነታ ሓንቲ ጓሉ ማለት ንቅድስት መሪና ገዲፍዋ ከምዝኸይድን ርስቱ ክትወርስን ኣማኸራ። ሽዑ ቅድስት መሪና “ወይለኪይ ኣቦይ ንሰኻ ክትጸድቕሲ! ኣነ ኸ ክጸድቕዶ ኣይትደልየንን ኢኻ።” በልቶ። ኣቦኣ ከኣ “ናብቲ ገዳም እሞ መዓስ ደቂ ኣንስትዮ የእትዉ ኮይኖም” በላ ንሳ ድማ ርእሰይ ተላጽየ ክዳነይ ልክዕ ከም ወዲ ኮይነ ብናይ ወዲ ሽም ጸውዓኒሞ ብሓደ ክልቴና ንፈልስ (ንመንኩስ) በለቶ። ከምኡ ከኣ ገበረ።

ኣብ ጥቓ ገዳም ኣስቄጥስ ኣብ ዝነበረ ገዳም ኣትዮም ከኣ ክልቲኦም ብሓደ መንኩሱ። ንኺ (10 ዓመት) ዝኣክል ከኣ ብገድልን ጾምን፣ ጸሎትን ድሕሪ ምጽንሖም፣ እቲ ኣቦ ይመውት፣ ቅድስት መሪና ድሕሪ ሞት ኣቡኣ ካብቲ ቅድም ትጋደሎ ዝነበረት ንቐጻሊ ብዝበለጸ ተጋደለት። ካብ መዓ ልታት ሓደ መዓልቲ ኣብቲ ከባቢ እቲ ገዳምን እቲ ዓድን ዝተሓጋገዙሉ ኣብ ዝነበሩ እሞ ብናይ ኣበምኔት (ኣማሓዳሪ) ትእዛዝ ንኣባ እምባ መሪና ሣልሳይ ርእሱ ክኸይድ ተኣዘዘ። ምኽንያቱ ኣባ መሪና ወዲ ኢሎም እምበር ጓል ኢሎም ኣይፈልጥዎን ነበሩ። ከምኡ ውን ጕበዝ ስለዝኾነ ንመልእኽቲ ይብህግዎ ነበሩ።

ግን እንታይ ደኣሉ “ድምጹ ቀጢን ጭሕሚ ከኣ ዘይብሉ” ይብልዎ። ብዛዕባ ድምጹ ካብ ብዝሒ ጾምን ጸሎትን ተጋድሎን ዝተላዕለ ምኻኑ ይኣምኑ ነበሩ። ኣብ ሓደ ብግብረ ሠናይ ዝተመስገነ ሰብኣይ ቤት ሓደሩ። ኣጋጣሚ ከኣ ሽዑ ለይቲ ሓደ መንእሰይ ንጓል እቲ ዘሕደሮም ሰብኣይ ድንግልናኣ ይዕምጻሞ፣ መን እዩ ድንግልናኺ ዝዓ መጸ እንተበሉኺ ኣባ መሪና እዩ በሊ ኢሉ ኣብ ዘረድኣ ሕራይ ትብሎ። ከምቲ ዝበላ ከኣ ኣባ መሪና ክብሪ ንጽሕናይ ወሲዱለይ ኢላ ነገረቶም።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ወለዳ ንፈለስቲ ጽቡቕ ምግባር እኮ እዚ እዩ ትርፉ እናበሉ ብብዙሕ ቑጥዓ ናብቲ ናይቲ ገዳም ኃላፊ (ኣበምኔት) መጺኦም ጠርዑ። እቲ ኣበምኔት ግን፣ በሉ ቀስ በሉ ስም ገዳም ኣይተኽፍኡ፣ ብምባል ቀስ ብቐስ ንኣባ መሪና ጸዊየም፣ “ኣብቲ ኬድካዮ ዝነበርካ ዓዲ እሞ ዝሓደርካሉ ቤት ፈታዊ ገዳምና ሰብኣይ ንጓሉ ስለዝዓ መጽካሉ ኣብዚ ቅዱስ ገዳምና ክትነብር ኣይግባእካን እዩ። “ውጻእ በሎ። ከምቲ ዝተባህሎ ወጸ። ካብቲ ናይ ቀደም ንላዕሊ ከኣ ተጋደለ። ድሕሪ ቁሩብ ግዜ እቲ ሕፃን ተወልደ ኣቡኡ ዝወለዶ የዕብዮ ብምባል ከኣ ናብ ኣባ መሪና ኣምጽእዎ። ኣባ መሪና ከኣ እሺ ሕራይ ኢሉ ወዱ ተቐበለ። እቲ ሕፃን ከም ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ በረኻ እንስሳ ዘገዳም መጺኡን እናኣጥበውኡ ዓበየ። ሽዑ ድሕሪ ነዊሕ እዋን ናብ ኣባ መሪና ገድልን ጠባይን ዓቕልን ትዕግስትን ምስ ረኣዩ እቶም መነኮሳት ንሓላፊኦም ናብ ገዳም ክመልሶ ለመንዎ። ንሱ ከኣ ሕራይ ኢሉ ናብ ገዳም ከምዝመለስ ገበረ።

ኣባ እምባ መሪና ንወዱ ኣምሂሩ ልክዕ ከምቲ ናቱ ኣመንኰሶ። ክልቲኦም ከኣ ብሓደ ኣብ ውሽጢ ገዳም ሠናይ ገድሊ ፈጸሙ። ድሕሪ'ዚ “ኔርካ ኔርካ ናብ መሬት፣ ዜርካ ዜርካ ናብ ቤት” ከምዝበሃል ሞት ኣይተርፍን። ኣምላኽ ኣብ ዝፈቐዶ ኣባ እምባ መሪና ይመውት። ፈለስቲ (መነኮሳት) ክገንዙን ማይ ክሓጽቡን ክዳውንቱ እንተ ኣውጽኡሉ ሰበይቲ ኮይኑ ጸንሖም። ሽዑ እቶም ቀበርቲ ኩሎም “ኡይ! እግዚኦ መሓረና ክርስቶስ” ብምባል ተነሥሑን ተናዘዙን። ሽዑ ኣብ ወሪደ መቃብር ኩሉ ቀባራይ ተኣኪቡ ከሎ፣ እግዚኣብሔር ክብሪ ቅዱሳኑ ክገልጽ ነታ ሓሳዊትን ዘማዊትን ጓልን ነቲ ሓሳዊ መንእሰይን ንኣባ እምባ መሪና ብዘይገበሮ ዘካፍእዎ፣ ነፍስ ወከፍ ሰይጣን ሰሪርዎም ኣብቲ መቓብር መጺኦም “ኣባ እምባ መሪና መሓረና፣ ይቕረ በለልና፣ ብዘይገበርካዮ ሓሲና ኣዋሪድናካ ኢና ኢሎም ተጋለጹ። እዚ ክብሉ ዝኸኣሉ ከኣ ብናቶም ፍቓድ ዘይኮነስ ብናይ እግዚኣብሔር ፍቓድ እዩ።

ሰላም ለመሪና ለወሬዛ በኣምሳሉ፣
እንተ መከረት ጥበበ ጎበ ደብረ ኣኃው ተሃሉ፣
እንዘ ትትጋደል ይእቲ ሶበ ይሰምዕዋ ኩሉ፣
ይትዋሥኡ ወይትበሃሉ ትሑት ቃሉ፣
እምተፀምዶቱ ብዙኅ ወፍድፋድ ገድሉ።

***ጸሎት ኣዴና ቅድስት መሪና ምስ ኩላትና ኣመንቲ ኣማላድነታ ይኹን። ኣሜን።***

*ምንጪ፦ ሰንክሳር ዕለት ፲፮ ነሐሴ*

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ጻድቅት ቅድስት ማርያም ግብጻዊት

ቅድስት ማርያም ግብጻዊት ሃገረ ትውልዳ ግብጺ እዩ። ብመ-መርታ ዓቢይ ጾም (ጾመ ኣርብዓ) ኣብቲ ኣብ ከባቢ ሩባ ዮርዳኖስ ዝርከብ ገዳም ዝርከቡ መነኮሳት መዝሙር እናዘመሩ፣ ሩባ ዮርዳኖስ ኣቋሪጾም ኣብ ናይ ዮርዳኖስ በረኻታት፣ እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ብዘይርእዮ ወገን (ሸነኽ) ብርሕቀት ፋሕ ብምባል ምሉእ ጾመ ኣርብዓ ንፈጣሪኦም ጥራይ እናዘከሩ ኀኽነብሩ ከኻብ ገዳሞም ይወጽኡ። ኣብቲ በረኻ ጸኒሖም ሆሣዕና ምስኮነ ናብ ገዳሞም ይምለሱ።

ካብዞም ዝተጠቕሱ ኣቦታት ሓደ ኣባ ዘሲማስ "ካባይ ዝበልጽ ናይ ብሕትውና ዘለዎን፣ ኣነ ዘይበጻሕክዎ ናይ ብሕትውና ሕይወት ዘርእየኒ ዶ ኾን ይህሉ ይኸውን"። ብዝብል ናይ ትዕቢት ሓሳብ እናተማላለሶ ናብቲ ውሽጢ በረኻ ኣርሒቑ ከደ። ናይ እግዚኣብሔር መልኣኽ ብሃንደበት ተገሊጹ ንርእሱ ንኡስ ወይ ትሑት ገሩ ናብ ዘርኢ ኮነታትን እዋንን ከባብን ወሰዶ። ኣብ ጉዕዙኡ ኣብ መበል ዕስራ መዓልቲ ኣብ ዝጽልየሉ እዋን ሰብ ዝመስል ነዊሕ ግራጫ ጸጉሪ ዘለዎ ነገር ረኣየ። ሃተፍተፍ ወይ ውን መንፈስ ናይ ሰይጣን ምትሓት እዩ እናበለ ሓሰበ።

ብድሕሪኡ ዕራቕቱ ዝኾነ ናይ ሰብነቱ ቆርበት ብሓዊ ከምዝተለብለበ ብሃሩር ፀሓይ ዝጸለመ ናይ ሰብ ኣካል ምኳኑ ተረዲኡ፣ ካብቶም ኣብ በረኻ ዮርዳኖስ ዝነብሩ ቅዱሳን ባሕታውያን ንሓደ ንምርኻብ ልቡ ባህ ኢልዎ ርእይ ኣቢሉ ናብቲ ሰብ ጐየየ።

እቲ ሰብ ግና ካብኡ ሃደመ ዘየርክቦ ምኳኑ ምስፈለጠ "ኦ ናይ እግዚኣብሔር ኣገልጋሊ ስለምንታይ ኢኻ ካባይ እትሃድም ዘሎኻ፣" በጃኻ ስለ እግዚኣብሔር ጽንሓኒ ካብ ከማይ ዘለ ሽማግለ ስለ ምንታይ ትሃድም"፣ በሎ። ከምዚ ምስ በለ እቲ ዝሃድም ዝነበረ ሰብ ኣብቲ ኣብኡ ዝነበረ ኣኻውሕ ከምዝኣተወ ኾይኑ ተራእዮ። ዘሲማስ ከም ሓደ ሕፃን ተንበርኪኹ ሰኽየ።

ንሱ እቲ ዝሃድም ዝነበረ ሰብ "ኣቦይ ዘሲማስ ምእንቲ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ኢልካ ይቕረ በለለይ። ኣነ ዓለ ንስተይቲ ስለ ዝኾንኩ ከምኡ ውን ክዳን ስለ ዘየብለይ ናባኻ ክመጽእ ኣይክእልን እየ። እቲ ካባኻ ደርብየለይ እሞ ንዕኡ ተኽዲነ ክመጸካ" በለቶ። ንሱ እውን ስለ ዝተረድኣ ከምኡ ውን ብስሙ ስለ ዝጸውዓቶ ተደነቐ።

ንሳ ነቲ ካባኡ ሰንድዩ ምስ ሃባ ተኽዲና ናብኡ መጺኣ "ኣነ ሓንቲ ሓጥኣተኛ ዓለንስተይቲ ዝኾንኩ ንዓይ ንምርኣይ ንምንታይ ኣድለየካ፡ ካባይ ምምሃርን ምስማዕን ትደልዮ ነገር ኣሎ ድዩ፣" በለቶ።

ዘሲማስ ኣብ መሬት ተደፊኡ ንኽትባርኾ ለመና። ንሳ ግና ኣብ ቅድሚኡ ተንበርኪኻ ኣቦይ ዘሲማስ ካህን ስለ ዝኾንካን ንብዙሕ እዋናት መስዋዕተ ቍርባን ክትፍትት ዝነበርካ ስለ ዝኾንካ፣ ንሰኻ ኢኻ ንዓይ ክትባርኸኒ ዝግባእ" በለቶ።

ንሱ ግና ብንብዓት "ኦ ዝኸበርኺ ቅድስት ንሰኺ ንዓለም ዝሞትኪ ምኳንኪ እርኢ ኣሎኹ። ቅድሚ ሕጂ ከይረኣኽኒ፣ ከይፈለጥክኒ ብስመይ ጸዊዕክኒ ካህን ምኳነይ ፈሊጥኪ ኢኺ እሞ እግዚኣብሔር ዘደንቕ ጸጋ ሂቡኪ ኣሎ። ስለዚ ምእንቲ እግዚኣብሔር ኢልኪ በረኽትኪ ኩተካፍልኒ ክትጽልይለይ እደሊ ኣሎኹ" በላ። ከምዚ እናበለ ክልምና ኣብ ዝተዛረበሉ እዋን፣ ልዑል እግዚኣብሔር ድሕነት ደቂ ሰባትን ሓሳብን ዝጥንቀቕ ዝተመስገነ ይኹን ክትብል ተገደደት። ንሱ "ኣሜን ይኹነለይ" በለ።

ቃለ ትሕትናኣ ብከምዚ ዝስዕብ ገለጸትሉ። "ንዓይ ተኽሉ ድኻ ዝኾንኩ ዓል ኣንስተይቲ ንምርኣይሲ ንምንታይ መጻእካ፣" በለቶ። ኣስዒባ ብዛዕባ ሕዝቢ ክርስቲያንን ሓለውትን ብዛዕባ ነገሥታትን ሓተተቶ። ቅዱስ ዘሲማስ'ውን "ኦ ቅድስት ኣደ ብናትኪ ጸሎት ክርስቶስ ንኹሉ ሰላም ሂቡ እዩ። ኣነውን ንሰኺ ምእንቲ ኩሉ ዓለም ክትጽልዪ ምእንታይ ምእንቲ ሓጥእውን ክትጽልዪ እልምነኪ ኣሎኹ" በላ።

ቅድስት ማርያም ግብጻዊት "ንሰኻ ካህን ብምኳንካ ድኣ ምእንታይን ምእንቲ ኩሉ ዓለምን ጸሊ፣" ድሕሪ ምባላ ተኣዛዚት ምኳን ስለ ዘድሊ "ንዝኣዘዝካኒ ብሓጐስ ክፍጽም እየ፣" ኢላ ገጻ ናብ ምብራቕ ኣቢላ

አሚንታ ናብ ሰማይ ኣቕኒዓ ኣእዳዋ ዘርጊሓ ንነዊሕ ግዜ ጸለየት።
ቅዱስ ዘሲማስ ምትሓት ከይከውን ኢሉ ሓሰበ። ሽዑ ንሳ ናብኡ መጺኣ (ቀሪባ) ኣተንሥኣቶ። “ኦ ዘሲማስ ኣቦይ፡ እግዚኣብሔር ካብ ኢድ ሳጥናኤልን ካብ መጻወድያኡን ይሓልወና። ንሱ ምሳና ዘለዎ ኮናት ጽኑዕ እዩ'ሞ” ኢላ ኣማዕተበት።
ቅዱስ ዘሲማስ ነዚ ርእዩን ሰሚዑን ብኽመይ ናብዚ በረኻ ከምዝመጸትን ታሪኽ ሕይወታን ንኽትነግሮ ለመና። “ምእንቲ መድኃኔዓለም ክርስቶስ ኢልኪ ከይሓባእኪ ኑቲ ሓቂ ንገርኒ። ክትነግርኒ ከለኪ ከኣ ንውዳሴ ከንቱ ኢልኺ ዘይኮነስ ንዓይ ንሓጥእን ዘይግብኣንን ኑቲ ሓቂ ንምርዳእ፡ ናይ እግዚኣብሔር ጽቡቕ ሥራሕ ምእንቲ ክግለጽ እዩ ናብዚ በረኻ'ዚ ዝመርሓኒ። ንሰኺ ንእተገልግልዮ እግዚኣብሔር ናትኪ ሕይወት ንኽርእየኒ ዝፈቐደ ንኽትቃወሚ ኣይግባእን እዩ” በላ። ሽዑ ቅድስት ማርያም ግብጻዊት “ኦ ኣቦይ ኑቲ ኣጸያፊ ሕይወተይ ንኽነግረካ ብጣዕሚ እዩ ዘሕፍረኒ፡ ከምዚ ንሰኻ እትግምቶኒ ኣይኮንኩን። ግና ታሪኽይ ብምስማዕካ ከምቲ ሰብ ካብ ክፉእ ኣራዊት ዝሃድም ካባይ ክትሃድም ኢኻ። ንኽትሰምየውን ኣይትደልን። ኾይኑ ግና ከየቋረጽካ ምእንታይ ጸሊ። ኩሉ ነገር ሕይወተይ ከኣ ክነግረካ እየ” በለቶ። ብድሕሪኡ ንብዓታ ካብ ዓይና እናደረዘት ታሪኻ ክትነግሮ ጀመረት።
“ሃገር ትውልደይ ግብጺ እዩ ኃል 12 (፲፪ ዓመት) ከለኹ ንስድራይ ገዲፈ ናብ እስክንድርያ ብምኻድ ካብቲ ግቡእ ክብሪ ደቂ ኣንስትዮ ክብረይ ኣጥፋኡ። ቀጺለ ፍቕሪ ዝሙት ሓደረኒ። ካብቲ ናይ ኃጢኣተይ ዝነበረ ብዝርዝር ገለ ቁሩብ ክነግረካ። ኃል ፲፯ ዓመት ምስ ኾንኩ ንሰባት ዘቃጽል ናይ ኃጢኣት ሓዊ ኮይነ ንብዙሓት ኣስሒተ። ገንዘብ ክንህበኪ ምስ ዝብሉኒ ገንዘብ ኣይቅበልን ነበርኩ ብኣምላኽውን እምነት ኣይነበረንን። ኩሉ ከም ድሌተይ እፍጽሞ ነበርኩ። ዝኾነ ይኹን ንዓይ ዝኽልክል ዘሎ ኾይኑ ኣይስምዓንን ነበረ።
ካብ መዓልታት ሓደ መዓልቲ ሊቢያውያንን፡ ግብጻውያንን ብታህዋኽ ናብ ባሕሪ ክኸዱ ርእየ ናበይ ከም ዝኸዱ ምስ ሓተትክዎም ናብቲ ናይ ክቡር መስቀል በዓል ኣብ ኢየሩሳሌም ከኽብሩ ምኻኖምን እቲ መዓልቲ ውን ከምዝቐረበ ነጊሮሙኒ።
ኣብዚ እዋንዚ ኣነ እውን ብዙሓት ፈተውቲ ከምዝረክብ ፈሊጠ ምሳታቶም ብሓባር ንኽኸይድ ወሰንኩ። ንጉዕዞይ ይኹን ንምግበይ ዝኸፍሎ ገንዘብ ኣይነበረንን። ግና ሰብነተይ ኣጋጊዎም ብኡኡውን ንብዙሓት ናይ ሰይጣን መፈንጠርያ ኮይነ ከጋግዮም ከምዝኽእል እናተጀሃርኩ እዛረብ ነበርኩ”።

## ካብ ኣፍ ደገ ቤተክርስቲያን

ኣብ መወዳእታ ብጣዕሚ ብዙሓት ተሳለምቲ ኣብ ልዕሊ ናይ ጐይታ መቓብር ናብ ዝተሰርሐት ቤተ ክርስቲያን ክኸዱ ረኣኹ። ከይዶም እንታይ ከምዝገብሩ ንኽርኢ ሓሰብኩ። እናተደፋፍኡ ናብቲ ኣፍደገ ይኣትዉ ምስ ዝነበሩ ንኽኣቱ ፈተንኩ። ይኹን እምበር ካብቲ ኣፍ ደገ ብሃንደበት ንድሕሪት ሓደ ኃይሊ ክደፍኣኒ ተፈለጠኒ። ካልኦት ሰባት ግና ኩሎም ብቐሊሉ ይኣትዉ ነበሩ። ኣነ ግና ናብቲ ቤተ ክርስቲያን ክኣቱ ኣይከኣልኩን። ዝኾነ ኃይሊ ንድሕሪት ከምዝምለስ ይደፍኣኒ ከም ዘሎ ውን ተረድኣኒ። ኣብ መጀመርታ ብውሽጠይ ስሒቐ እዝስ ስለ ዝደኸምኩ ወይ'ውን ጓለንስተይቲ ብምኻነይ ድኽምቲ ስለ ዝኾንኩ እዩ ዝኸውን ኢለ ሓሰብኩ። ንኻልኣይ ግዜ'ውን ብዝከኣለኒ ፈቲነ፡ ይኹን እምበር ክኣቱ ስለዘይከኣልኩ ኣብቲ ኣፍ ደገ ጠጠው በልኩ። ንሣልሳይ ግዜን ንራብዓይን ድሕሪ ምፍታነይ ሓይለይ ተወዲኡ፡ ሕልፍ ኢለ ከይደ ኣብ ጥቓ ኣፍደገ ደው በልኩ። ኣፍልበይ እናወቓዕኩ ከኣ ሸኸኩ። ካብ ሓዘነይ ዝተላዕለ ንምንታይ እየ ዘይኣቱ ዘለኹ። ንኸይኣቱ ዝኽልክለኒ ዘሎ'ውን ብዝሒ ኃጢኣተይ እዩ ኢለ ኣብቲ ኣፍ ደገ ናይ ቅድስት ድንግል ማርያም ሥዕሊ ረኣኹ ሥነ-ግርማኣን ጽባቐኣን ምስ ረኣኹ ዝሓለፈ ኃጢኣተይ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ተነጺሩ ተራእየኒ። ኣነ ብዝገበርክዎ ሓፈረ በደለይ'ውን ኣጨነቐኒ። ድሕሪኡ ኣብ ትሕቲ እታ ሥዕሊ ተደፊአ ንገይታይን

መድኃንየይን ብምስዓብን ምግልጋልን ካልእ ዕድል ኀኽረክብ ተማሕፀንኩ ንመድኃኔዓለም ኢየሱስ ክርስቶስ ኀኽድሕነኒ፡ ብመንገዱ ኀኽመርሓኒ ለመንክዎ።

ንሱ ብቅዱስ መስቀሉ ንዝነበረኒ ዑረት ልቢ ምስ ኣብርሃለይ ሸዑ ንሸዑ ንዓለምን ሓጕሳን ብምሉኡ ከምዝኽሕድን ንሱ ብዝመርሓኒ መንገዲ ንምኻድን ቃል ኣተኹ። ድሕሪኡ ዘተኣማምን ቅዱስ መንፈስ ተሰሚዑኒ ደው ካብ ዝበልኩሉ ተንሢአ ምስቲ ዝኸይድ ተሳላማይ ተሓጉሰ ቅድሚኡ ምእታው ዝሰኣንክዎ ንምብጻሕ ከኣልኩ። ብዘይ ሓደ ጸገም ኣብቲ ቅዱስ ቦታ በጻሕኩ። ኣብ ምድሪ ተደፊአ ከኣ ነቲ ቅዱስ መስቀል ብምንቅጥቃጥን ብንብዓትን ተሳለምኩ።

ክሳብ ፍርቂ መዓልቲ ንርእሰይ ረሲዐ። ኣብ መወዳእታ ካብቲ ቤተ ክርስቲያን ወጺአ ኣብታ ቃል ዝኣተኹላ ሥዕሊ ቅድስት ድንግል ማርያም ኮይነ ንሥሓ ዝቐበል እግዚኣብሔር ዝተመስገነ ይኹን። ዝኸበርኺ ኣደይ ኣነ ኃጢኣተኛ ካልእ እንታይ ክብል እኽእል። ሕጂ ካብ በደለይ ኀኽርሕቐ እዋኑ እዩ።

ብመንገዲ ንሥሓ ምርሕኒ ኢለ ኣብቲ እዋንቲ " ዮርዳኖስ እንተ ትሳገሪ ዕረፍቲ ክትረኽቢ ኢኺ፡" ዝብል ድምጺ ሰማዕኩ። ነዚ ሰሚዐ ኣደይ መዓረይ ኣይትፈለይኒ ኢለ ለኸኹ። ድሕሪኡ ቅልጥፍ ቅልጥፍ እናበልኩ ጉዕዞይ ጀመርኹ። ካብቶም ዝጐዓዙ ዝነበሩ ሓደ ገለ ቁሩብ ገንዘብ ሃበኒ እሞ ብእኣ ጌረ ንእሽቶይ እንጌራ ንመገዲ ትኾነኒ ገዛእኩ፡ እናለኸኹ ነቲ ናይ ከተማ ኣፍ ደገ ሓለፍክዎ።

ምሸት ምስ ኾነ ኣብ ናይ መጥምቀ መለኮት ቅዱስ ዮሓንስ ቤተክርስቲያን ከይደ ምሉእ ለይቲ ክበኪ ሓደርኩ። ንግሆ ኣቐዲሰ ሩባ ዮርዳኖስ ተሳጊረ ናብዚ እትርእዮ ዘሎኻ በረኻ (መጻእኩ) በጻሕኩ። ካብኡ ጀሚረ ክሳብ ሕጂ ካብ ሰባት ተፈልየ ምስቲ ብንሥሓ ዝምለሱ ዝቐበል ፈጣርየይ እነብር ኣሎኹ"።

ቅዱስ ዘሲማስ "እመቤተይ ኣብዚ በረኻ ምቕማጥ ካብ ትጅምሪ ክሳብ ሎሚ ክንደይ ዓመት ኾይኑ፡" በላ። ንሳ "፴፯ ዓመት" በለቶ። "ድሕሪኡኸ ኣብ ሕይወትኪ ካብ ዝረኸብክዮ ለውጢ ዝተላዕለ እዚ ኩሉ ዓመታት ብዘይ ሓደ ጸገም፡ ትነብሪ፡" በላ። ንሳ "ዘሲማስ ኣቦይ ኀኽዛረቦ ዘፍርሃኒ ዘረባ ሓተትካኒ ብናይ ፈጣርየይ ለውሃት ንዝሓለፍክዎ ፈተናን መከራን እንተ ድኣ ዘኪረዮ እንደገና ተመሊሱ ዝመጸንን ዘሸንፈንን ስለ ዝመስለኒ እፈርህ እየ" በለቶ።

ንሱ "ዝተቐደስኪ ኣደይ ዋላ ሓንቲ ነገር ኣይትሕብእለይ" በላ። ንሳ "ዘሲማስ ኣቦይ ፲፯ ዓመት ምስ ኣራዊት ነበርኩ። ኣብ መጀመርታ ኣብዚ በረኻ እዚ ሕይወት ምሕላፍ ብጣዕሚ ከቢድ እዩ። ዝሓለፈ ሕይወተይን ዘሕለፍክዎ ሓጕስን ብምሕሳብ እፍተን ነበርኩ። ኣብዚ ምድረ በዳ እዚ ዝስተ ማይ ንጣብ እኳ ንምርካብ ኣሸጋሪ እዩ። ካብ ጥሜትን ጽምእን ከምኡውን ናይ ፀሓይ ሃሩር ዝተላዕለ ብጣዕሚ ተሸጊረ እየ። ብዙሕ ግዜ ሓሚመ ንሞት እቃረብ ነበርኩ።

ናይ ዝሓለፈ ሕይወተይ ትዝታ ደጋጊሙ ምስ ኣሳቐየኒ ኣብ መሬት ወዲቐ ብምብካይ ጕይታ ኀኽረድኣኒ እልምኖ ነበርኩ። ዘሸግሩኒ ዝነበሩ ነገራት ከመይ ጌይረ ክገልጸልካ እኽእል። ኣብ መወዳእታ ኣብ ልበይ ፍጹም ሰላም ተሰምዓኒ። እዚ ኩሉ ፈተና ኣሕለፍኩ ኣምላኽይ ዝደሸኹዎ ኩሉ ሃበኒ። ስለ እቲ ዝሓለፈ ሕማቐን ክፉእ ሕይወተይ ኣብዚ እበኪ ነበርኩ። ኣብ መወዳእታ እግዚኣብሔር ኣጸናንዓኒ" በለቶ።

ቅዱስ ዘሲማስ ካብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ጠቒሳ ክትዛረብ ምስ ሰምዐ "ቅዱሳት መጻሕፍቲዶ ተማሂርኪ ኔርኪ፡" በላ። ንሳ "ሩባ ዮርዳኖስ ምስተሳገርኩ ጀሚረ ክሳብ ሎሚ ንሰኻ እንተዘይ ኮይኑ ገጽ ሰብ ርእየ ኣይፈልጥን እየ። ናይ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ትምህርቲውን ፈጺመ ኣይተመሃርኩን፡" ኣብ መጀመርታ ከምዝነገርኩኻ "ኣነ ኃጢኣተኛ ስለ ዝኾንኩ ጸልየለይ" በለቶ። ከምዚ ኢላ ብተመስጦ ርእሳ ድንን ድሕሪ ምባላ ናብ ቅዱስ ዘሲማስ ተመሊሳ "ናብ ፈጣርየይ ክሳብ ዝኸይድ እዚ ኩሉ ዝነገርኩኻ ንማንም ሰብ ኣይትንገረለይ ሕጂ ብሰላም ኪድ" በለቶ።

ኣብ ዝመጽእ ዓመት ጸመ ፵ ከምቲ ልማድ ናይቲ ገዳም ልምዲ ሩባ ዮርዳኖስ ኣይትሳገር። ኣብ ገዳም ጽናሕ። ክኸይድ እየ እንተበልካ እውን ኣይኮነልካን እዩ። ሐሙስ

ጽግቦ መዓልቲ ኣብቲ ስግር ዮርዳኖስ ቅዱስ ቀ-ርባን ኣዳሊኻ ጽንሓኒ” ኢላ ኣብቲ ዝነበረቶ በረኻ ተሠወረት።
ቅዱስ ዘሲማስ ተንበርኪኹ ጠጠው ኢልዋ ኣብ ዝነበረ ቦታ ሰጊዱ ነቲ ኩሉ ዘርኣዮን ዝገለጸሉን ልዑል እግዚኣብሔር ኣመስገነ። ሽዑ ንሽዑ ናብቲ ገዳም ተመሊሱ እቶም ኣበው ባሕተውቲ መነኮሳት ናብ ገዳሞም ዝምለሱሉ ዕለት ንሱ ናብ ገዳሙ ኣተወ።
ንሓደ ዓመት ዝኣክል ነቲ ዝረኣዮ ኩሉ ንሓደ ሰብ ከይነገረ ጸንሐ። እንደገና ንእግዚኣብሔር ንቅድስት ማርያም ግብፃዊት ከርእዮ ደጊሙ ይጽሊ ነበረ። እታ ዓመት እቲኣ ንቅዱስ ዘሲማስ ብጣዕሚ ነውሓቶ። ዝከኣሎ እንተዝኸውን ነታ ዓመት ናብ ሓንቲ መዓልቲ ክትቅየረሉ ይደሊ ነበረ።
ጸመ ኣርብዓ ምስኮነ ቅዱስ ዘሲማስ ሓሚሙ ደቀሰ። ከምቲ ኣቐዲማ ነገራቶ ዝነበረት ካብቲ ናይ ገዳም ልማድ ተረፈ። ኃሙስ ጽግቦ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ቅዱስ ሥጋን ክቡር ደምን ሒዙ ከምኡ ውን ንእሽቶ ተምርን ጥጥኞን ሒዙ ናብቲ ዝነገረቶ ከባቢ ሩባ ዮርዳኖስ ከይዱ ተጸበያ። ንነዊሕ ግዜ ምስ ተጸበያ እሞ ምስ “ደንጎየት ኣነ ኣብቲ ናታ ጸጋ ስለ ዘይበጻሕኩ ወይ ከኣ መጺኤ ስኢናትኒ” እያ ብምባል ሓሳብ ጀመረ።
ድጎሪኡ ናይዛ ባሕታዊት ገጽ ንኽርእዮ ፍቓድ እግዚኣብሔር ክኽውን ጸለየ። ድጎሪ ምጽላዩ በቲ ሩባ ዮርዳኖስ ብእግራ ናብኡ ክትመጽእ ኣማዕድዩ ረኣያ። ንሱውን ክሰግደላ ክብል እንከሎ “ ንሳ በቲ ልዕሊ ማይ ብእግራ እናመጸት እንከላ ኣቦይ ዘሲማስ እንታይ ኢኻ ትገብር ዘሎኻ። ንስኻ ናይ ክርስቶስ ክቡር ደምን ቅዱስ ሥጋን ሒዝኻ ኣሎኻ” በለቶ። ድጎሪኡ ንኽባርኻ ሓተተቶ እሞ ካብቲ ቅዱስ ምሥጢር ከኣ ኣቐበላ። ኣእዳዋ ናብ ሰማይ ዘርጊሓ ናይ ሓጐስ ወይ ናይ መፈጸምታ ዓለም ምልክት መግለጺ ብዝኾነት ንብዓት “ ኦ ጐይታይ እንሀ ኣገልገሊትካ ከም ቃልካ ኣሰናብተኒ ኣዒይንተይ ምድኃንካ ርእየን እየን ” በለት።
ናብ ቅዱስ ዘሲማስ ብምርኣይ “ ኦ ኣቦይ ዘሲማስ ምስ ብዙኅ ይቕሬታ ካልእ ነገር ከሸግረካ እየ። ሕጂ ናብ ገዳምካ ብሰላም ተመለስ። ናይ እግዚኣብሔር ለውሃት ይሓሉኻ። ኣብ ዝመጽእ ዓመት ናብታ ዝረኸብካኒ ቦታ ምጻእ እሞ ኣብኡ ንኻልኣይ ግዜ ክትረኽበኒ ኢኻ።” በለቶ፡ ንሱ “ኣነ ናትኪ ኣብነት ተኸቲለ ንሸኺ ዘለኽዮ በረኻ ንኽኣቱ እናፍቐ ኣለኹ” በለ።
ካብቲ ቁሩብ ዘምጽኦ ዝብላዕ ቁሩብ ክትጥዕመሉ (ክትበልዓሉ) ሓተታ፡ ንሳ ካብቲ ጥጥኞ ብኣጻብዕታ ብምትንካፍ ሠለስተ ፍረ ኣልዒላ ኣብ ኣፋ ገበረት።
“ ፀጋ እግዚኣብሔር ንነፍሲ ብንጽሕና ንምሕላው እኹል እዩ” በለት። ንኽጽልየላ ከኣ ሓተተቶ፡
ድጎሪኡ ነቲ ባሕሪ ዮርዳኖስ ብእግራ ተሳጊራ ኣብቲ በረኻ ተሠወረት። ንሱ ካብኣ ብምፍላዩ እናጕሃየ ተመልሰ።
ኣብቲ ካልኣይ ዝመጽእ ዓመት ናብቲ በረኻ ከደ፡ ሞይታ ሰብነታ ኣብ ሑጻ ወዲቑ ጸንሐ፡ ቅዱስ ዘሲማስ ብጣዕሚ ኃዘን ተሰሚዕዎ ኣብ ጎድና ኮይኑ ተንበርኪኹ ንነዊሕ ሰዓት እናበኸየ ነታ ግዜ እቲኣ ዝግባእ ጸሎት ጸለየ።
ድጎሪኡ ኣበይ ከም ዝቐብራ ብሓሳብ ከውርድ ከድይብ ከሎ ኣብቲ ወገን ትርኣሳ ኣብ ልዕሊ ሕፃ “ ኦ ኣቦይ ዘሲማስ ኃሙስ ጽግቦ መዓልቲ ናብ ፈጣሪየይ ከይደ ኣሎኹ። ናይታ ድኽምቲ ማርያም ሥጋ ኣብዚ ሕፃ እዚ ቐበር። ሓመድ ናብ ሓመድ ይመለስ። ምእንታይ ጸሊ (ጸልየለይ) ” ዝብል ጽሑፍ ተጻሕፉ ረኸበ።
ቅዱስ ዘሲማስ ኣብቲ ዝሓለፈ ዓመት እቲ ቅዱስ ቀ-ርባን ምስ ኣቐበላ ከመይ ኢላ ኣብታ ዕለት እቲኣ ኣብዚ ቦታ እዚ በጺሓ ከምዝዓረፈት እቲ ኣስከሬና (ሥግኣ)ውን ዓመት ምሉእ ፈጺሙ ከይተለወጠ ብምጽንሑ ተገረመ፡
ኣብዚ ግዜ'ዚ ካብቲ ዱር ኣንበሳ መጺኡ ኣእጋራ ድጎሪ ምልሓስ ንመቓብር ዝኸውን ጉድጓድ ኰዓተሉ። ኣቦ ዘሲማስ ንኹሉ ንኽትጽሊ እናተማሕጸነ ኣእጋራ ብንብዓት ሓጸበ። ድጎሪኡ ኣብቲ ዝተኳዕተ መቓብር ቀበራ።

***ናይ ጻድቅት ቅድስት ማርያም ግብፃዊት ረድኤትን በረኽትን ኣይፈለየና፡***

- ሰላም ለማርያም ህየንተ ዘረከባ ምንዳቤ፡
- ኣንበሳ ዘኮነ በድነ ሥጋሃ ዓቃቤ፡
- ቀበራ ዘሲማስ በአፅፉ እስመ ኣልባቲ ግልባቤ፡
- ረኪቦ መልዕልተ ርእሳ መጽሓፈ ነባቤ፡
- ለማርያም ግብጻዊት ቅብራ ዘይቤ።

***ምንጪ፡- ሰንክሳር፡- ዕለት ፮ ሚያዝያ***

- *ተኣምረ ማርያም*
- *ነገረ ቅዱሳን ገጽ 210-215*

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ጻድቅት ቅድስቲ ማርታ

ጻድቅት ቅድስቲ ማርታ ካብ ሃገር ምስሪ ካብ ሃብታማት ወለዲ ተወልደት፣ ቅድስቲ ማርታ ብንእስነታ ቅድሚ ናብዚ ቅድስና እዚ ምብጻሓ ንዓለም ኣዝያ ተፍቅራ ነበረት። ኣብ ዓለም ከኣ ትነብር ነበረት። “ኣብ ዓለም ንበር ዓለም ግን ኣባኻ ኣይትንበር” ዝብልዎ ምስላ ኣቦታት ዘንጊዓ፣ ካብ ህላወ እግዚኣብሔር ርሒቓ፣ ኣብ ውሽጢ ባሕሪ ኃጢኣት ዓለም ብጭንቀትን ጓህን ድሕሪ ምንባራ፣ እግዚኣብሔር ልባ ኣብሪሁላ ብበዓል ልደት ናይ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ክትሳለም ኢላ ምስ ከደት እቲ ሓላዊ ቤተክርስቲያን “ንሰኪ ናብ ቤተክርስቲያን ክትኣትዊ ኣይፍቀደልክን እዩ” ኢሉ ምሕላፍ ምስ ከልኣ ኀኸፍቀደላ ብዙሕ እኳ እንተለመነቶ መሊሱ ደኣ ኣብ መንጉኦም ባእሲ ተፈጥረ።

ነዚ ቆይቂ እዚ ዝሰምዐ ኣማሓዳሪ ቤተክርስቲያን እንታይ ምኻኑ ክፈልጥ ተቐላጢፉ ካብ ቤተክርስቲያን ናብ ግዳም ይወጽእ እሞ ማርታ ድማ ምስቲ ሓላዊ ቤተክርስቲያን ክትመላለስ ምስ ረኣያ ከምዚ ክብል ሓተታ። “መልኣኽን ሰይጣንን ዶ ርክብ ኣለዎም፡ ይመስለኪ” የብሎምን” ድሕሪ ምባላ” በሊ ንሰኪ ናይ ሰይጣን ግብሪ ኢኺ ትገብሪ ዘሎኺ እሞ እቲ መልኣኽ ባዕሉ ከይባኣሰኪ ካብዚ ርሓቒ” ምስ በላ እናበኸየት “እንድሕር ተነሲሐ ኸ ይቕበለኒ ዶ፡” ክትብል ሓተተቶ፣

ንሱ ድማ “ዘሎ እቲ ሽልማትክን ወርቅታት ዝኣከብክዮን ኣብ ቅድሜና ኣምጺኺ እንድሕር ድኣ ብሓዊ ኣቃጺልክዮ ኩሉ ዝገበርክዮ ኃጢኣትኪ እግዚኣብሔር ክገድፈልኪ እዩ።” ምስ በላ ከይወዓለት ከይሓደረት ተቓላጢፉ ኣምጺኣ ኣብ ቅድሚ እቶም ኣመንቲ ሕዝበ ክርስቲያን እቲ ኣማሓዳሪ ቤተክርስቲያን ከቃጽሎ ሓደራ ሃበቶ፣ ንሱ ከኣ ኣብ ቅድሚኣ ኣቃጸሎ።

ድሕሪዝ እቲ ኣማሓዳሪ ቤተ ክርስቲያን ርእሳ ላጽዩ፣ እቲ ምስኣ ዝነበረ ክዳውንቲ ኣልጊሱ ናይ ፈላሲት ልብሲ ኣልበሳ። ከምኡ ከኣ ናብ ደቂ ኣንስትዮ ፈለስቲ ዝርከባሉ ገዳም ኣእተዋ። ንሳ ድማ ብተስፋን ሓጐስን ተመሊኣ ብጾምን ጸሎትን እናተጋደለት ኑቲ ናብራ ዓለም ዝነበረቶ ኣተሓሳስባ ብሓጺር እዋን ኣጥፊኣ ናብ ናብራ ቅድስናን ንጽሕናን ዝልውጥ ሕይወት በጽሐት።

ቅድሚ ጸሎት ምጅማራ ድማ ኩሉ ኃጢኣታ እናዘከረት ንነፍሳ ከምዚ እናበለት ትወቕሳ ነበረት። “ናብዚ ብየእማንን ዕንጨይትን ዝተሰርሐ ናይ ፈለስቲ ገዳም ተደርቢኺ ሓሳርን መከራን እንተዘይተቐቢልኪ ከመይ ኢልኪ ድኣ ኢኺ ናብቲ ናይ ብርሃን መንግሥቲ ክትኣትዊ ትደልዩ፡ ዘለኺ፣ መንዩ ኸ ዝወሓሰኪ፡ መን ዩ ኸ በኻ ዝኾነኪ፡” እናበለት ከምኡ ውን “ኣብ ቅድሚ ሓላዊ ቤተክርስቲያን ብኃጢኣተይ ዝሓፈርኪ ኣብ ቅድሚ'ቶም ቅዱሳን መላእኽትኻ ነፍሰይ ከይትሓፍር ኣብዛ ብላይ ጨርቂ ኃላፊት ዓለም ከለኹ በደለይ ሕደገለይ” እናበለት ለይቲ ምስ መዓልቲ ሕይወታ በቲ ዝገበረቶ ኃጢኣት እናወቐሰት ንዕስራን ሓሙሽተን (፳፭) ዓመት በዚ ከምዚ ዓይነት ገድሊ ምስ ጸንሐት እግዚኣብሔር ጸሎታ ተቐቢሉ ኩሉ ቃል ኪዳን ሂቡ ብኢድ መላእኽቲ የዐጂቡ ናብታ ስፍራ ጸድቃንን ሰማእታትን ዝኾነት ገነት መንግሥተ ሰማይ ብዓቢ ክብሪ ኣእተዋ።

***ጸሎታን በረኽታን ናይ ኣዴና ቅድስቲ ማርታ ምስ ኩላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።***

- ሰላም ለማርታ ጥዕምተ ዝክር ወዜና፣
- ዘተአፅፈት ሠቀ ኣልባሰ ወርቅ መኒና፣
- ኣመ ገሠግ ኢትባዕ ውስተ ቤተመቅደስ በኢንፅሕና፣
- እስከ ሞዓቶ ለእኩይ ጎሊና፣
- ዓቃቤ ሖጎት ምክንያተ ኮና።

***ቅድስቲ ማርታ ዕረፍታ ዕለት ፫ ወርሒ ሰነ (ሰንክሳር) እዩ።***

◆ ◆ ◆

## ታሪኽ ጻድቅት ቅድስት ኢላርያ

ናይዛ ቅድስት ኣደ ኣቦኣ ናይ ግብጺ ንጉሥ ኮይኑ ዘይኑን ይበሃል። ብሃይማኖቱ ኣዝዩ ምስጉን ነበረ እንተኾነ ብዘይካ ክልተ ኣዋልድ ወዲ ኣይወለደን።

ኣብ ርእሲ ምውሓደንውን ቅድስት ኢላርያ ብንጽሕናን ምንኩስናን ምንባር ስለ ዝፈተወት ምእንቲ ከይፈልጣ ናይ ሰብኣይ ክዳን ተኽዲና ካብ ናይ ግብጺ ገዳማት ኣስቄጥስ ናብ ዝተባህለ ገዳም ከደት። ኣብኡ ድማ ኣባ ባማ ዝተባህለ ዓቢይ ጻድቕ ረኸበት እሞ ሓሳባን ታሪኻን ገለጸትሉ።

ንሱ ግን ኑቲ ዝነበረቶ ታሪኽ ሕይወት ብምዕቃብ ን፲፩/ 15 ዓመት ዝኣክል ተራድኣ። እዚ ፲፩ / 15 ዓመት እዚ ድማ ብገድልን ጾምን ጸሎትን ምስ ጽምዋ ኣብ በዓቲ ኮይና ተሕልፎ ነበረት። እቶም ኣብቲ ገዳም ዝነብሩ ዝነበሩ መነኮሳት ሰበይቲ ምኻና ስለ ዘይፈልጡ ጭሕሚ ብዘይምርኣዮም ህጽው ኣባ ኢላርያ እናበሉ ይጽውዕዎ ነበሩ። ከምኡ ውን እታ ኣብ ገዛ ዝተረፈት ሓንቲ ሓብታ ጋኔን ተጻብኣ እሞ ጽኑዕ ሕማም ሓመመት። ኣቡኣ ንመሐከሚኣ ብዙሕ ወጻኢ ገበረላ። እንተኾነ ግን እዞም ዝተፈላለዩ ሓካይም ክፍውስዋ ኣይከኣሉን። ምሕዋይ ምስ ኣበየቶ እቶም ኣማኽርቲ ናብ ገዳም ኣስቄጥስ ወሲዱ ማይ ጸሎት ከሕጽባ ኣማኸርዎ። ኣቡኣ ድማ ዝኣክል ስንቅን ወተሃደራትን ኣሰንዩ ናብ ገዳም ኣስቄጥስ ለኣኻ።

ከምዚ ዝስዕብ መልእክቲ ድማ ናብቶም ቅዱሳን ኣቦታት ጽሒፉ ለኣኽ። “ኣ ኣቦታተይ ገዳማውያን ሓዘነይ ርእኹም ብጸሎትኩም ርድኡኒ። እግዚኣብሔር ክልተ ኣዋልድ ሂቡኒ ነይሩ። እታ ሓንቲ ካብ ዓለም ሃዲማ ናበይ ከም ዝኸደት ኣይፈለጥኩን። ሕጂ ድማ እታ ሓንቲ ዝተረፈት መጻናንዒት ክትኮነኒ ዝተጸለኹዋ ጋኔን ስለ ዝሓዛ ብጸሎትኩም እግዚኣብሔር ክፍውሳ ንገሩለይ ኢሉ ዓቢ ለበዋ ሂቡ ኣፋነዎም።”

እቶም ገዳማውያን ኣቦታት ድማ ንብዙሕ መዓልታት ብማየ ጸሎት እናገበሩ እንተጸዓሩ ክትሓዊ ኣይከኣለትን። እንተኾነ ግን እቲ ኣብኣ ሓዲሩ ዝነበረ ጋኔን ብዘይካ ኢላርያ ዘውጻኣኒ የለን ብምባል ዓው ኢሉ ጨደረ። ንሳቶም ድማ ንኢላርያ ጸዊያም ኪድ እዛ ቆልዓ ጋኔን ሒዝዋ ስለ ዘሎ ጸሎት ግበረላ በልዎ።

ንሱ ግን ነዚ ነገር'ዚ ክገብሮ ኣይክእልን እየ። ኣነ በዓል ብዙሕ ኃጢኣት ስለ ዝኾንኩ በጃኹም ሕደጉኒ እንተበሎም ክቕበልዎ ኣይከኣሉን። ገዲፎምሉ ደኣ ከዱ። ሽዑ ኢላርያ ናብ በዓታ ወሲዳ ጸሎት ምስ ጸለየትላ ኣብ ውሽጢ ሓጺር መዓልቲ እቲ ኣብኣ ሓዲሩ ዝነበረ መንፈስ ርኹስ ኡይ እናበለ ካብኣ ነፊጹ ጠፍኣ። ቅድስት ኢላርያ ግን ሓብታ ምኻና ስለዝፈለጠት ተዕልላን ትስዕማን ነበረት።

ውጽእ ኢላ ከኣ ንበይና ትበኪ ነበረት። ንሳ ግን ሓብታ ምኻና ኣይፈለጠትን። ድሕሪ'ዚ ቅድስት ኢላርያ ናብቶም ቅዱሳን ኣቦታት በሉ ብጸሎትኩም እግዚኣብሔር ፈዊስዋ እዩ'ሞ ውሰድዋ በለቶም። ንሳቶም ድማ “ብሰላም የእትኺ” ኢሎም ናብ ኣቡኣ ኣፋነውዋ።

ኣብ ቤት ኣቡኣ ምስ በጽሔት ንጉሥ ዘይኑን ምስቶም መኳንንቱ ኣዝዮም ተሓጐሱ። ንእግዚኣብሔር ድማ ኣመስገኑ። ድሕር'ዚ ኣቡኣ “ከመይ ኔርኪ ጓለይ ኣብቲ ገዳም” ኢሉ ምስ ሓተታ ንዓይ ዘሕወየኒ ኣባ ኢላርያ እዩ ዝበሃል። ንሱ ኣዝዩ ይፈትወኒ እዩ ኔሩ ይስዕመኒ ድማ ኔሩ ምስ በለቶ ልቡ ተሃወኸ። “ፈላሲ ዶ ንሰበይቲ ክስዕም ይግብኣ እዩ” ኢሉ ሓሰበ። ሓሲቡ ውን ኣይተረፈን። ወተሃደራት ናብ ገዳም ኣስቄጥስ ዝኸዱ መዲቡ ነቶም ገዳም ኣስቄጥስ “ነቲ ጓለይ ዝፈወሳ ኣባ ኢላርያ ክባርኸኒ ስለዝደለኹ ስደዱለይ” ክብል ለኣኸ።

ድሕር'ዚ እቶም ኣቦታት ቅዱሳን ናብ ኣባ ኢላርያ መጺኦም “ንጉሥ ጸዊዕካ ክትከይድ” ኢሎም ምስ ኣዘዝዎ ብርቱዕ ተኽያት ሰኽየ። “በጃኹም ምሓሩኒ” እናበለ'ውን ኣብ እግሮም ወደቐ። ንሳቶም ድማ “ጻድቕ ንጉሥ እዩ። መፍቀሪ ቤተ ክርስቲያን ድማ እዩ። በቲ መጻሕፍቲ ዝእዝዙና ከኣ ትእዛዝ ንጉሥ ክንኣቢ ኣይንኽእልን ኢና” ኢሎም ምስ ኣበይዎ ናብቲ ንጉሥ ኣቡኣ ብዘይ ፍቓዱ ተገዲዱ ከደ። ናብቲ ቦታ ምስ በጽሐ ንጉሥን ኮሎም እቶም መኳንንትን ይቕበልዎ እሞ ኮሎም በረኹቱ ተኻፊሎም ምስ ከዱ እቲ ንጉሥ በይኑ ኮይኑ “ክሓተካ እየ ጸዊዔካ ዘሎኹ። ሓንቲ ነገር ኣብ ልበይ ቂር ዝበለትኒ ስለ ዘላ እየ።

ንሳ ድማ ንጓለይ ትስዕማ ኔርካ። ስለዚ እዚ ምሥጢር'ዚ ክትገልጸለይ እደሊ ኣሎኹ” ክብል ሓተቶ። እዚ ክሓታ ከሎ እታ ኣዲኣ ንግሥቲ ምስኡ ኔራ። “በሉ ነዚ ሕቶ'ዚ

ክምልሰልኩም እንተ ደሊኹም መጽሓፍ ቅዱስ ኣምጽኡ። ቅድም ቃል መሓላ ክትፍጽሙለይ። ምኽንያቱ እቲ ምሥጢር እንተ ነጊረኩም ምስዳድ ከይትከልኡኒ” ምስ በለቶም ኩሉ ፈጸሙ። “በሉ ኣነ ንልኩም ኢላርያ እየ” ኢላ ካብ ገዛኣ ዝወጸትሉ ዕለቱን እዋኑን፡ ክዳውንቲ ኣወዳት ከምዝተኸደነት፡ ካልእ ውን ንሳቶም ዝፈልጥዎ ምሥጢር ምስ ነገረቶም፡ ንጉሥን ንግሥትን ዓው ብዝበለ ድምጺ የእወዩ። ኩሎም እቶም ቤተ መንግሥቲ ሸኸዩ። “ሕጂ ኣይንገድፈክን ኢና ምሳና ኢኺ ትኾኒ” ኢሎም ኣበይዋ።

ንሳ ግን “እታ ዝመሓልክምዋ ዘክሩ” ኢላቶም ድሕሪ ብዙሕ ለመና ንዓ/ 40 መዓልቲ ምስኣቶም ጸኒሓ ናብታ ሕይወት ቅዱሳን ገዳም ኣስቄጥስ ተመልሰት።

ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ዘይኑን ንጉሥ ኣቡኣ በቲ ፍቕሪ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ንሉ ቅድስት ኢላርያ ሓዲርዋ ዘሎ መንፈስ ቅዱስ ተመሲጡ ነቶም ገዳም ኣስቄጥስ ዘድልዮም ክወሃቡ ኩሎም ኣብ ምድሪ ግብጺ ዘለዉ ድማ ዓመት ዓመት ግብሪ ንገዳም ኣስቄጥስ ክግብሩሎም ኣዘዘ። እቶም መነኮሳት ድማ ተሓጕሱ። ኣብ ደብሪ ኣባ መቃርስ ፱፻/900/ ኣብያተ ክርስቲያን፡ ኣብ ደብሪ ኣባ ዮሓንስ ፯፻/700/ ኣብያተ ክርስቲያን፡ ኣብ ደብሪ ኣባ ብሶይ ፭፻/500/ ኣብያተ ክርስቲያናት ኣብ ደብሪ ኣባ ሙሴ ፫፻ /300/ ኣብያተ ክርስቲያና ሃነጸ።

ቅድስቲ ኢላርያ ምስ ወለዳ ድሕሪ ምርኻባ ንፅ/ 5ተ ዓመት ጸኒሓ ምሉእ ቃል ኪዳን ካብ ኣምላኽ ተዋሂብዋ በዛ ቅድስቲ ዕለት'ዚኣ ናብ ኣዴና ቅድስቲ ድንግል ማርያም ዕረፍታ ተጸዊዓ ናብቲ ዘይሓልፍ መንግሥቲ እቲ ሰማያዊ ንጉሥ ወራሲት ኮነት።

***ዕረፍቲ ቅድስቲ ኢላርያ ኣስተርእዮ ማርያም ጥሪ ፭፩ እዩ። (ሰንክሳር)***

***ናይ ኣዴና ቅድስቲ ኢላርያ ጸሎታን በረከታን ምስኦልና ሕዝበ ክርስቲያን ይሁን ኣሜን።***

- ሰላም ለንግደትኪ ገዳመ ኣስቄጥስ ርሑቀ፡
- ትርሢተ ኣቡኪ ንጉሥ እንዘ ታስተማስሊ ኣፅቀ፡
- ኢላርያ ጎሪት በዘ ትፈጽሚ ጻሕቀ፡
- ለወለተ ሃይማኖት እንተ ትትለአኪ ጽድቀ፡
- ከመ ትሣየጢ ሠቀ ወሃብኪያ ወርቀ።

◆ ◆ ◆

## ታሪኽ ተነሳሒት ጻድቕት ጓል ንጉሥ ሮማ

ናይ ሃገረ ስም ኤጲስ ቆጶስ ኣባ ያዕቆብ ናይዛ ቅድስት ኣደ ታሪኽ ብከምዚ ዝስዕብ ገሊጽዎ ይርከብ፡

“ ሓደ መዓልቲ ኣብ ናይ ቅድስት ድንግል ማርያም ቤተክርስቲያን ውሽጢ እንከሎኹ ነቲ ኣብ ደገ ናይቲ ገዳም ማዕጾ ሓደ ሰብ ኳሕ ኳሕ ከብሎ ሰማዕኩ። ተንሢአ ከኣ ናብቲ ኣፍ ደገ ከድኩ። ሓደ ኣረጊት ዓጽፊ (ካባ) ዝተኸደነ ገጹ ውን ዝተሸፈነ ሰብ ረኣኹ። እቲ ሰብ “ካበይ መጺእካ”። እንተበልክዎ ካብ ገዳም ኣቡነ መቃርስ እየ መጺአ ሕጂ ግና ሎሚ ለይቲ ኣብዚ ቅዱስ ገዳም ሓዲረ ቅዱስ ቁርባን ክወስድ እደሊ ኣለኹ ” በለኒ።

ኣነ ከኣ “ገጽካ ከይረኣኹ ኣይከፍተካን እየ” ክብሎ እንከሎኹ ንሱ “ገጸይ ክትር ኢ ኣይትድለ”፡ ገጸይ ብብዝሒ ኃጢኣተይ ዝጸለመ፡ ገጸይ ንዝርኢ እቲ ካብኡ ዝኸፍአ ክፉእ ግብረይ ከኣ ስለዝረአ ክትርእየኒ ኣይትድለ” በለኒ።

ምስ ከልከልክዎ ናብቲ ጣሻ ክምለስ ሓሰበ። ኣነ ከኣ ጠምዩ ወይ ጸሚኡ እዩ ኢለ ሓሰብኩ። ስለዚ ከፈትኩሉ'ሞ ናብቲ መንበርየይ ኣእተኹዎ። ዝብላዕውን ኣምጻእኩሉ። ንሱ ግና “ ድጎሪ ቅዱስ ቍርባን ጽባሕ እንተዘይኮይኑ ኣይበልዕን እየ” ብምባል ኣበየኒ።

ድጎሪኡ ናብ ቤተ ክርስቲያን ኣተወ'ሞ ኣብቲ ጸልማት ጠጠው በለ። ኣብኡ ዘለዉ መነኮሳት ክሳብ ዝግረሙ መዝሙረ ዳዊት ከንብብ እንከሎ ድምጹ ከም መላእኽቲ ኩይኑ ተሰምዓኒ። ንጽባሒቱ ምስ ወግሐ ከኣ ኣብ ኣእጋሩ ኮፍ ኢሉ ተቐመጠ። ዋላ ሓንቲ ከንብብ ኣይደለየን።

ንሕና ግና ንኽጽልየልና ቀሪብና ለመንናዮ። ንሱ ኣቦታተይ ብብዝሒ በደለይ ገጸይ ዘጸለምኩ ስለዝኾንኩ ኣነ ምእንታኹም ከመይ ኢለ ክጽሉ፡ በለኒ።

ሥርዓተ ቍርባን ከነዕርግ እንከሎና ከኣ ብእግሩ ጠጠው ኢሉ መልእኽቲ ጳውሎስ፡ መልእክቲ ሓዋርያ። ግብረ ሓዋርያት ከንብብ ጀመረ። ንራብዓይ ግዜ ኣብ ፊት እቲ መሰውዒ ደው ኢሉ ወንጌል ዮሓንስ ከንብብ ጀመረ። እቲ ኣብ ርእሱ ተሸፊንዎ ዝነብረ ጨርቂ ከኣ ኣውረዶ። ካብቲ ካብ ገጹ ዝወጽእ ዝነብረ ብርሃን ዝተላዕለ መልክዕ

ገጹ ፈሊኻ ዘይፍለጥ ኮነ። ንሕና ቆራብና ምስ ወጻእና ብድጎራና ቆረበ።
ካብ ደቂ ነገሥታት ከይከውን ኢልና ከኣ ንሕና ተጠራጠርና። ዝብላዕ እንተኣቕረብናሉ ኣይተቐበለናን። ግና ሰይጣን ብኣኣተን ጌሩ ብዘስሕት ካብ ገጽ ደቂ ኣንስትዮ ንኽንርሕቕ መዓደና።
ኣብኡ ሓደ ሮማዊ ዝኾነ ዓቢ መነኮስ ነበረ። ንሱ "ኦ ኣቦይ ያዕቆብ እዚኣ ካብተን ዓበይቲ ደቂ ነገሥታት ጓል ኣንስተይቲ እያ። ስለዚ ንኽይትፍለጥ ገጻ ካብ ሰብ ትሓብእን ትሸፈንን ኣላ" በለኒ። ድጎራኡ ኩሉ ኮነታት ካባይ ከይሓብአት ንኽትነግረኒ ብስም ክርስቶስ ከምሕላ ናብቲ ዘላቶ ናብኣ ከድኩ። ግናከ ክረኽባ ኣይከኣልኩን። ድጎሪ ፮ / 5 ወርኂ ካብ ንጉሥ ኣቡኣ ዝተላእኩ ንዕኣ ደልዮም ናባና መጹ። ንሳቶም ንሳ ቤተሰባ ምስ ደቀሱ ብለይቲ ወጺኣ ን፲፪ /12/ ዓመት ዝኣክል ሥራሓ ብሕትውና ምኻኑ ነገሩና። ድጎራኡውን ካልኦት ልኡኻት ሸዑኡ መዓልቲ ከምዝዓረፈት ነገሩና።

- ሰላም ለወለተ ንጉሥ ነግሒት ስማ፡
- ከዊና ግህስተ እምነ አቡሃ ወእማ፡
- እንበለ ታጠይቅ ገጻ በመካነ ጽልመት ቀዊማ፡
- እንዘ ታደምዕ መዝሙረ ከመ ድምፀ መልአክ ዘራማ፡
- ፈጸመት ገድለ ወሠለጠት ፃማ።

*ዕለተ ዕረፍታ ፲፬ ታኅሣሥ እዩ። (ሰንክሳር)*
*ጸሎታን በረኽታን ይሓልወና፡ ኣሜን፡*

✠ ✠ ✠

## ታሪኽ ጻድቅት ቅድስት ታኦግንስጣ

እዛ ቅድስቲ ኣደ እዚኣ ኣብ ዘመን ርቱዓነ ሃይማኖት ዝኾኑ ኣኖሬዎስን ኣርቃዴዎስን ነገሥታት ነበረት። ኣብዚ ግዜ'ዚ ናይ ህንዲ ንጉሥ ንወተሃደራቱ ናብ ኣኖሬዎስን ኣርቃዴዎስን ገጸ በረከት ሂቡ ይልእኾም እሞ ክምለሱ ከለዉ ንዓዶም ንቅድስቲ ድንግል ታኦግንስጣ እተንብቦ መጽሓፍ ኣብ ኢዳ ሒዛ እንከላ ማሪኾም ወሰድዋ።
ናይቲ ንጉሥ ሓላዊት ኣንስቲ ከኣ ኾነት። ኣብዚ ግዜ'ዚ ወዲ ንጉሥ ህንዲ ሓመመ። ቅድስቲ ታኦግንስጣ ኣብ ሕቑፋ ሓቑፋ ብትእምርተ መስቀል ኣማዕተበትሉ እሞ ንዕለቱ ሓወየ።
ካብዚ ግዜ'ዚ ኣትሒዙ ዜና ተኣምራ ኣብ ኩሉ ስለዝተፈልጠ ከም ኣገልጋሊት ዘይኮነት ከም እመቤት ኮነት። እቲ ንጉሥ ናብ ኮናት ምስ ወፈረ ናብኡ ጣቕ ግመ ጸልማት፡ ንፋስ ህቡብላ፡ ዶሮና መጽአ።
ናብዚ ጣቕ፡ ግመ፡ ጽልመት፡ ንፋስ ህቡብላ ዶሮና ቅድስት ታኦግንስጣ ከተማዕትብ እንከላ ናይ መስቀል ብርሃን ተራእያ። ዓቢ ሓጐስ ኮነ። እቲ ንጉሥ ከኣ ንጸላእቱ ሰዓ ሮም። ካብ ኮናት ምስ ተመልሰ ኣብ ትሕቲ እግራ ብምስጋድ ጥምቀተ ክርስትና ንዕኡን ንኹሎም ስድራቤቱን ንሃገሩን ክትህቦ ሓተታ። ንሳ ከኣ ኣነ ጓል ኣንስተይቲ ስለዝኾንኩ ናብ ንጉሥ ኣኖሬዎስ ለኣኽ እሞ ካህናት ክልእከልካ በለቶ። ብዝበለቶ መሠረት ናብ ንጉሥ ኣኖሬዎስ ለኣኸ። ንጉሥ ኣኖሬዎስ ከኣ ብሕቶኡ መሠረት ካህናት ልኢኹ ኣጠመቐም። ቅድስት ታኦግንስጣ ኣዝያ ተሐጐሰት።
እቲ ንጉሥ ሓደ ዓቢ ደብሪ ሃነጸላ እሞ ብዙሓት ደናግል ናብኡ ብምእካብ ከምቲ ናታ መንኰሳ። ንሳ ከኣ ናተን ኃላፊት (እመምኔት) ኮነት።
እቲ ዘጠመቐም ካህን ንንጉሥ ኣኖሬዎስ ኩሉ ነገሮ። ንጉሥ ኣኖሬዎስ ከኣ ኤጲስቆጶስ ሸመሎም። ሰብ ህንዲ ብሐጐስ ኩሎም ናብ እምነት ተመልሱ። ሓደ መዓልቲ ቤተክርስቲያን እና ሰርሑ እንከለዉ ዓበይቲ ዓንድታት ደልዮም ክረክቡ ኣብ ዘይከኣሉሉ ግዜ ሓደ ዓቢ ቤተ ጣየት ኣብ ዓበይቲ ዓንድታት ዘለዎ ነበረ' ሞ ቅድስት ታኦግንስጣ ንጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ብንብዓት ለሚና መጺኡም ኣብ ዘዝምልከቶም ቦታ ከም ዝትከሉ ገበረት። እቶም ሕዝቢ ንእግዚኣብሔር ኣመስገንዎ። እቶም ጣየት ዘምልኹ ዝነበሩ ሕዝቢ ጣየቶም ሰይጮም ናብ እምነት ክርስትና ብጸሎት ቅድስት ታኦግንስጣ ተመልሱ።
ቅድስት ታኦግንስጣ ዕድሚኣ ሙሉእ ንእግዚኣብሔር ኣገልጊላ ብሰላም ኣብታ ዝተኸለታ ገዳም ዓረፈት።
*ጸሎታን በረከታን ምስ ኩልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን።*

- ሰላም እብል ታኦግንስጣሃ ሮማዊተ፡
- በሥምረተ ኣምላክ ዘኮንኪ ብሄረ ህንደኬ ፍንውተ፡
- እስመ ሰበክኪ ውስቴታ መስቀለ ክርስቶስ እምነተ፡

- ዘኮኖሙ በቅድመ ፀር ለሰብአ ዚአሃ ትእምርተ፣
- ወበመቃብርኪ ካዕበ ብርሃኑ ተከስተ።

*ምንጪ፡- ሰንክሳር ኣመ ፲፮ ለመስከረም።*

✠ ✠ ✠

## ቅድስት ቤተክርስቲያን ንምእመናን ደቃ እትህቦ ለበዋ።

### ዝተፈተኹም ምእመናን

ንሕፃናት ደቅኹም ናይ ሃይማኖቶም ሥነ-ምግባር፣ ኃኽመሃሩን ክፈልጡን ፈሊጦም ውን ኣብ ግብሪ ብምውዓሎም ተኻፈልቲ ኣሠር ቅዱሳን ወለዶም ምእንቲ ክኾኑ ናብ ቤተክርስቲያን ክትመጹ ከሎኹም ሒዝኩሞም ምጹ። ኩሉ ኣብ ቤተክርስቲያን ዝፍጸም ሥርዓት እምነቶም ይርኣዩ፣ ማለት ኣብኡ ዝርከቡ ቅዱሳን ስእልታት፣ መስቀል ይሳለሙ፣ ናይ ቅዳሴ ማየ ሕይወት ይሰትዩ፣ ነቲ ዝዕጠን ዕጣን የሽትቱ። ቅዱስ ሥግኡን ክቡር ደሙን ይቐበሉ ቃለ ኣዋዲ፣ ደወል (ቃጭል) ክድወል ከሎ ይሰምዑ ብእምነት ምእንቲ ክዓብዩ ኣተባብዕዎም፣ ናብ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ይኺዱ።
ካህኖም መን ከምዝኾነ፣ ቤተክርስቲያኖም እንታይ ከምዝኾነት፣ ኣብ ውሽጣ እንታይ ከምዝፍጸመላ የጽንዑ (ይመሃሩ)።
ጸሪቀ መበለት ወይ መኽፈልቲ ይብጽሑ፣ ንሞባእ ዝበልኩሞ ገንዘብ ኣብ ሙዳየ ምጽዋት ከንብሩ ሃብዎም። ንድኻ ዝትኰብ ምኻኑ ምእንቲ ክፈልጡ ባዕሎም ክህቡ ኣረድእዎም። ናይ ቅዱሳን ኣቦታቶም ኣሠር ነቢያት፣ ሐዋርያት፣ ሰማዕታት፣ ጻድቃን ንገርዎም።
ትምህርቲ ክበሃል ከሎ ንዓና ካልእ፣ ይመስለና ኰይኑ እምበር እቲ ዝግባኣና ትምህርትስ ክቡራት ወለድና ኣቐዲሞም ብዘይሃስስን፣ ዘይበርስን መልክዕ ጌሮም ሠሪየም ኣቐሚጠሙልና እዮም። ንዓና ግን ነቲ ዘቐመጡልና ምውራስ ጥራይ እዩ ጠፊኡና ዘሎ ማለት ከም ማኅበር፣ ዝክር፣ ጸበል፣ ናይ ቅዱሳን በዓላት ኣብቲ ቤተክርስቲያኖም ኬድካ ዓስቢ ቃል ኪዳኖም ምስታፍ ምቐዳስ፣ ምቑራብ፣ ጸበል ምልካይ፣ ማየ ጸሎት ምሕጻብ፣ መስቀል፣ ሥዕሊ፣ ምስላም . . . እዚ ኩሉ ሠሪየምልናን ከለዉ ካልእ ሐድሽ ትምህርቲ ዘድልየና ኣይኮነን።
ምምካሕ ዝግባእ እንተዝኸውንሲ ንሕና ተዋሕዶ ኦርቶዶክሳውያን ክንምካሕ ዝግብኣና ሕዝቢ ኢና። “እቲ ዝምካሕ ብእግዚኣብሔር ይመካሕ።” ከምዝብል ብእግዚኣብሔር ድኣ እምበር ብርእስናስ ክንምካሕ ግቡእ ኣይኮነን። ዝግባእ ነይሩ እንተዝኸውን ንሕና ንካብ ኩሉ ዓለም ብዝበለጸ ክንምካሕ ይግብኣና ነይሩ።
ምኽንያቱ ኣቦታትናን፣ ኣዴታትናንን፣ ባህልናን፣ ሥርዓትናን፣ እምነትናን . . . ኩሉ ሰፊሮም፣ ቁጺሮም ስለዝረኸቡና ከምኡ ውን ኩሉ ነገር ክቀያየርን፣ ክለዋወጥን ከሎ ናትና እምነት ግን ክሳብ ሕልፊተ ዓለም ጸኒዓ ስለ እትነብር።
ስለዚ እዚ ትውልዲ'ዚ ነዚ ኃኸይስእኖ እያ ቅድስት ቤተክርስቲያን ብዝተፈላለዩ ጽሑፋትን ንጡፋት ሰበኽትን፣ ሕዝቢ ኣብ ዝተኣኸበ ሐደራኒታ ተመሓላልፍ ዘላ። እዚ ትውልዲ'ዚ እቲ ዝመጽእ ዘሎ ወለዶን፣ እዚ ኩሉ ውርሲ ጠፊኡ እንተ ተሪፉ፣ ሃይማኖቱን እምነቱን ንምድላይ ተመሊሱ ናብ ቤተ መዘክር (ሙዜም) ከይከይድ፣ ከምኡ ውን ንዘይመስልዎ ካልኦት ክሓትት፣ ወይ ብካልኦት ክድነቕ ምእንቲ ከይፍትን፣ ኣሠር ቅዱሳን ወለዱ ክፈልጥ ይግብኣ።
ስለዚ እምነትን፣ መንፈሳዊ ሥርዓትናን፣ መንፈሳዊ ውርሻናን፣ ጽቡቕ ባህልናን ተሓልዩ ማንቲ ክነብር ርኀራኄ ኣምላኽናን ኣማላድነት ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ተራዳእነት ትጉሃን መላእክት፣ ጸሎት ኩሎም ቅዱሳነ እግዚኣብሔር ይርድኣና።

***ኣለዓዒሉ ዘ-መረና ኣጀሚሩ ዘፈጸመና ልዑለ ባህርይ እግዚኣብሔር ክብርን ምስጋናን ይኹኖ። ኣሜን!!!***

### መወከሲ ዝተጠቕምኩሎም መጻሕፍቲ


1. ሰንክሳር ናይ ነፍስ ወከፍ ቅዱስ ዝውዕለሉ ዕለት ማኅበረ ሐዋርያት
2. ገድለ ቅዱሳን ገዳማተ ኤርትራ ብምሉኣም።-

ገድለ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ። ገድለ ኣቡነ ኣብሳዲ (ብራና)። ገድል ኣቡነ መርቆሬዎስ (ብራና)። ገድለ ኣቡነ እንድርያስ (ብራና)። ድብረ ጽጌ። ገድለ ኣቡነ እንድርያስ ዕፉን (ብራና)። ገድለ ኣቡነ ኣብራንዮስ (ብራና)። ገድለ ኣቡነ ፊልጶስ (ወረቐትን ብራናን)። ገድለ ኣቡነ ብሩክ ኣምላክ (ብራና)። ገድለ ኣቡነ ዮናስ (ብራና)። ገድለ ኣቡነ ብፁዓ ኣምላክ (ወረቐት)። ገድለ ኣቡነ ዕንቁ ብርሃን። ገድለ ኣቡነ ተኽለሃይማኖት (ወረቐት)። ገድለ ኣቡነ ገብረ መንፈስ ቅዱስ (ወረቐት)። ገድለ ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል (ብራናን ወረቐትን)። ገድለ ቅዱስ ቂርቆስ። ገድለ ቅዱስ ጊዮርጊስ (ወረቐት)

3. ነገረ ቅዱሳን ማኅበረ ቅዱሳን 1996 ዓ.ም. ግእዝ
4. የቅዱሳን ታሪክ ቁጥር 5ኛ 1994 ዓ.ም. ብሊቀ ብርሃናት መርቆሬዎስ አረጋ.አ.ኦ.
5. ፊልክዩስ 1920 ዓ.ም. አማርኛ
6. ማር ይስሓቅ 1920 ዓ.ም. አማርኛ
7. አረጋዊ መንፈሳዊ 1920 ዓ.ም. አማርኛ
8. ቅዳሴ ማርያም ትርጓሜ ትግርኛ
9. መጽሓፈ ቅዳሴ አንደምታ ብአማርኛ ብምሉኡ 1988 ዓ.ግ. አማርኛ
10. አንደምታ ጳውሎስ ትግርኛ ብመምህር ክነፈ ርግብ ማርቆስ
11. ወላዲተ ኣምላክ በመጽሓፍ ቅዱስ አማርኛ
12. የቤተክርስትያን ታሪክ በአለም መድረክ
13. ሃይማኖተ አበው
14. ድርሳነ ሚካኤል
15. መጽሓፍ ቅዱስ ትግርኛ 2000 ዓ.ም. ማኅበር መጽሓፍ ቅዱስ
16. ታሪኽ ቤተክርስትያን ኤርትራ ብመ/ ይትባረክ በርሀ 2001 ዓ.ም.
17. መልክዐ ጉባኤ ብመጋቤ አእላፍ ሄኖክ ወ/ሚካኤል
18. ሁለቱ ኪናት 1995 ዓ.ም. ብመርጌታ ሐየሎም በርሀ
19. ትምህርተ መለኮት 1994 ዓ.ም. ብአሥራት ገብረማርያም
20. አንድምታ 12 ደቂ ነብያት
21. አንደምታ ውዳሴ ማርያም
22. ስንክሳር ናይ ነፍስ ወከፍ ቅዱስ ዝውዕለሉ ዕለት ማኅበረ ሓዋርያት
23. ገድለ ቅዱሳን ገዳማተ ኤርትራ ብምሉኣም።-

ገድለ ኣቡነ ኤዎስጣቴዎስ። ገድለ ኣቡነ ኣብሳዲ (ብራና)። ገድል ኣቡነ መርቆሬዎስ (ብራና)። ገድለ ኣቡነ እንድርያስ (ብራና)። ድብረ ጽጌ። ገድለ ኣቡነ እንድርያስ ዕፉን (ብራና)። ገድለ ኣቡነ ኣብራንዮስ (ብራና)። ገድለ ኣቡነ ፊልጶስ (ወረቐትን ብራናን)። ገድለ ኣቡነ ብሩክ ኣምላክ (ብራና)። ገድለ ኣቡነ ዮናስ (ብራና)። ገድለ ኣቡነ ብፁዓ ኣምላክ (ወረቐት)። ገድለ ኣቡነ ዕንቁ ብርሃን። ገድለ ኣቡነ ተኽለሃይማኖት (ወረቐት)። ገድለ ኣቡነ ገብረ መንፈስ ቅዱስ (ወረቐት)። ገድለ ኣቡነ ሰይፈ ሚካኤል (ብራናን ወረቐትን)። ገድለ ቅዱስ ቂርቆስ። ገድለ ቅዱስ ጊዮርጊስ (ወረቐት)

24. ነገረ ቅዱሳን ማኅበረ ቅዱሳን 1996 ዓ.ም. ግእዝ
25. የቅዱሳን ታሪክ ቁጥር 5ኛ 1994 ዓ.ም. ብሊቀ ብርሃናት መርቆሬዎስ አረጋ.አ.ኦ.
26. ፊልክዩስ 1920 ዓ.ም. አማርኛ
27. ማር ይስሓቅ 1920 ዓ.ም. አማርኛ
28. አረጋዊ መንፈሳዊ 1920 ዓ.ም. አማርኛ
29. ቅዳሴ ማርያም ትርጓሜ ትግርኛ
30. መጽሓፈ ቅዳሴ አንደምታ ብአማርኛ ብምሉኡ 1988 ዓ.ግ. አማርኛ
31. አንደምታ ጳውሎስ ትግርኛ ብመምህር ክነፈ ርግብ ማርቆስ
32. ወላዲተ ኣምላክ በመጽሓፍ ቅዱስ አማርኛ
33. የቤተክርስትያን ታሪክ በአለም መድረክ
34. ሃይማኖተ አበው
35. ድርሳነ ሚካኤል

36. መጽሓፍ ቅዱስ ትግርኛ 2000 ዓ.ም. ማኅበር መጽሓፍ ቅዱስ
37. ታሪኽ ቤተክርስትያን ኤርትራ ብመ/ ይትባረክ በርሀ 2001 ዓ.ም.
38. መልክዐ ጉባኤ ብመጋቤ አእላፍ ሄኖክ ወ/ሚካኤል
39. ሁለቱ ኪናት 1995 ዓ.ም. ብመርጌታ ሐየሎም በርሀ
40. ትምህርተ መለኮት 1994 ዓ.ም. ብአሥራት ገብረማርያም
41. አንድምታ 12 ደቂ ነብያት
42. አንደምታ ውዳሴ ማርያም